




# መዝገበ ሃይማኖት

## ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን

ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ

፲፱፻፺፱ - 2007 - ኣስመራ

☝ኣብ'ዚ ጠውቕ (Click)




**Imprimi Potest** **ኪኅተም ይከኣል**

Congregation for the Doctrine of Faith - Vatican

ካብ ቅድስት መንበር "ክፍሊ ትምህርተ-እምነት" ቫቲካን ሮማ።

ቤት ጽሕፈት + ካርዲናል ዊልያም ዮሴፍ ሌቫዳ

+ ኣቡነ ኣንጀሎ ኣማቶ፣ ሳሌስያዊ ዘዶን ቦስኮ፣ሥዩም፣ሊ.ጳ.ሲላ

## CATHECHISM OF THE CATHOLIC CHURCH

Latin text - Copyright © 1994 Editrice Libreria Vaticana, Citta' del Vaticano

ቅዳሕ ላቲን፦ ናይ ቅድስት መንበር ሓዋርያዊት መሰል እዩ። ብዘይ ፍቓድ ከምበሓዲሽ ነዚ መጽሓፍ'ዚ ምኅታም፡ ናብ ካልእ ቋንቋ ምትርጓም ኣይከኣልን።

**ትርጕም ትግርኛ -**

ተርጓምን ኣሰናዳውን፡- ኣባ ግርማይ ኣብርሃ - ዘማኅበረ ሲታውያን

ኣኅታሚኡ፡- ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን-ኤርትራ፡

በዓል መሰል፡- ጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት-ኤርትራ፡

## CATHECHISM OF THE CATHOLIC CHURCH

### "TIGRINYA VERSION"

**Translator & editor:** Abba Ghirmai Abraha O.Cist.

**Publisher:** The Catholic Church of Eritrea.

**Responsible:** The Catholic Bishops of Eritrea.

Copyright © 2007 ብጽሑፍ ብዝተዋህበ ፍቓድ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ እንተዘይኮይኑ፣ እዚ መጽሓፍ'ዚ ኮነ ክፋላቱ፣ ብኤሌክትሮኒክስ ወይ ብዝኾነ ካልእ መጋበሪ ምብዛሕ ምዝርጋሕ ክልኩል እዩ።

☝ኣብ'ዚ ጠውቕ (Click)

## ጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ
## Catholic Eparchs of Eritrea

ክቡራን ጳጳሳት ካህናት ኣባላት ውፉይ ሕይወት፣ ምእመናን ክርስቶስን፣ ኩልኹም ሰብ ጽቡቅ ድላይን! ሰላም እግዚኣብሔርን ጽላል ኣዴና ኪዳነ ምሕረትን ምሳኻትኩም ይኹን እናበልና ልባዊ ሰላምታና ነቕርበልኩም።

*“መዝገበ ሃይማኖት - ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን”* ብዚብል ኣርእስቲ ዚጎተም ዘሎ መጽሓፍ “THE CATECHISM OF THE CATHOLIC CHURCH” (CCC) ካብ ዚብል ዝተተርጎመ እዩ። እዚ መጽሓፍ’ዚ ብብፁዕ ወቅዱስ ርእሰሊቃነጳጳሳት ዮሓንስ-ጳውሎስ ዳግማዊ ብ1992 ዓ.ም.ፈ. ንመላእ ቤተክርስትያን ተዋህበ።

ዕላማ’ዚ መጽሓፍ’ዚ “ነቲ ናይ እምነትን ሥነምግባርን ቀንዲ መሠረታውን ካቶሊካውን ትምህርተ-እምነት ብሥሩዕን ሓጺርን ኣገባብ፣ ብናይ ጉባኤ ቫቲካን 2ይ ትምህርትን፣ ናይ ቤተክርስትያን መላእ ትውፊትን” ምቕራብ እዩ። (ቍ.11) ዕላማ ጉባኤ ቫቲካን 2ይ ድማ “ናይ ቤተክርስትያን ሓዋርያውን ናይ ምእመናን ጕስነታውን ተልእኮኣ ንምንጻር ከምኡ’ውን ሓቅነት-ወንጌል ኣጸቢቑ ከም ዘንጸባርቕ ብምግባር፣ ንኹሎም ሕዝብታት ነቲ ሓለፉ-ኹሉ ፍልጠት ዝኾነ ፍቕሪ-ክርስቶስ (ኤፌ.3፡19) ሃሰስ ንኪብሉን ንኪቕበሉን ንምምራሕ እዩ”፤ (*ሓዋርያዊ ቅዋም፣ መዝገበ እምነት*)።

እዚ መዝገበ ሃይማኖት’ዚ ኣብ ኩሉ ቦታን ብኹሉ ቋንቋን ባህልን ኪስበኽ ስለዘለዎ፣ ኣብ’ዘን 15 ዓመታት ናብ ብዙኅ ቋንቋታት ተተርጒሙ፤ ብትግርይና’ውን እነሆ ንፈለማ ተቐሪቡስ፦ ንረብሓና ተኃቲሙልና ኣሎ። መስርሕ ትርጒም “መዝገበ ሃይማኖት” ቅድሚ 10 ዓመት ጀሚሩ። ፈለማ ብኣባ ኤልያስ ፍሥሓ ዘማኅበረ ሲታውያን በብግዜኡ ኣብ ወርኃዊ መጽሔት “ብርሃን” ኪወጽእ ጀመረ (1ይ ክፍሊ)፣ ድሕር’ዚ ብኣባ ተስፋልደት ኣባይ ዘማኅበረ ኣኃው ካፑቺኒ 4ይ ክፍሊ ተተርጒሙ፦ ናብ ካቶሊካዊ ቤትጽሕፈት ሰበኻ ኣሥመራ ቀረበ። ቤትጽሕፈት ድማ፣ ካብ 1ይ ክፍሊ ዝተረፈ ከምዚምላእ፣ 2ይን 3ይን ክፍሊ ከኣ ብነፍሲኄር ኣባ ኣድሓኖም ሥእሉ (ካህን ሰበኻ ኣሥመራ) ከምዚትርጎም ገበረ። ኣባ ኣድሓኖም ኣይደንጎዩን ብኡብኡ ዓረፉ። ስለ’ዚ ነዞም ብትግሃትን ተወፋይነትን እጃሞም ዘበርከቱ ኣበው ወሰን ዘይብሉ ምስጋና ይብጸሓዮም። ብዝተፈላለዩ ሰባት ንዝተገብረ ትርጒም ሓደ መልክዕ ንምሃቡ፣ ካቶሊካዊ መንበረ-ጵጵስና ኣሥመራ ንማኅበር ሲታውያን ተወከሰ፤ መምህረ-ገዳም ኣባ ሥዩም ክፍለጊዮርጊስ ከኣ ንኣባ ግርማይ ኣብርሃ ዘማኅበረ ሲታውያን መዘዙዎም።

ብሠለስተ ሰባት ማለት ዝተፈላለየ ቅድን መንገድን ንዝሓዘ ትርጒም ንምውህሃድ ዝተገብረ ፈተነ ኣዝዩ ከቢድን ጽንኩርን ምዃኑ ብኣጋኡ ስለተረጋገጸ፣ ወሰን ኢልካ ሓዲሽ ትርጒም ምግባር ከምዚሓይሽ ተኣምነሉ። ኣባ ግርማይ ኣብርሃ ሓዲሽ ትርጒም ከሰናድዉ መንበረ ጵጵስና ተሰማምዐ። ምስ’ቲ ካልእ ስራሖም ሓደ ዓመት ዚኣክል ወሰደሎም፤ ካልኣይ ዓመት ድማ ኣብ ምጽፋፍን ምእራምን ሓለፈ። ከም’ዚ ኢሉ እቲ ስራሕ ትርጒም ምስ ሰጐመ፣ ብወገን ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ ካብ ቅድስት መንበር (ሮሜ) ዜድሊ ፍቓድን፣ ንመኅተሚኡ ዚኸውን ገንዘብ ካብ ገበርቲ-ሠናይ ናይ ምርካብን ጕዳይ ተሳለጠ።

ኣብ ውሽጥን ወጻእን ሃገራት ዚርከቡ ኣባላታን ኩሎም ሰብ ጽቡቕ ድላይን፣ ነቲ ትምህርቲ-እምነታ ብዚሰምዕዎ ቋንቋ ምእንቲ ከንብብዎ ቤተክርስትያንና ንትርጉም'ዚ *"መዝገበ ሃይማኖት"* ከተተባብዕ ትርከብ። እንተኾነ እዚ ሰነድ'ዚ ስፍሓቱን ዕምቈቱን ንኹሉ ሓደ ስለዘይኮነ፣ ብዕድመን ብባህልን በተሓሳሰባን ንዝተፈላለዩ ጕጅለ-ምእመናን ዚበቕዕ ናቱ ጽማቝን ናእሽቱ መጻሕፍቲ ትምህርተ-ክርስትያን ምስንዳው ናይ'ቲ ሃገራውን ሰበኻውን ኣብያተ ጽሕፈት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ጽላል ቤተክርስትያን ኮይኖም ናይ ዚጽሕፉ ግዱሳት ሰባት ዕማም እዩ።

ጳጳሳት፡ ቀሞሳት፡ መምህራን ትምህርተ-ክርስቶስን ሰብ-ውፉይ-ሕይወትን፡ ከምኡ'ውን ኩልና ብጸጋ-ጥምቀት ዝለበስናዮ መዝነት ካብ ጸልማት ናብ'ቲ ዘደንቕ ብርሃኑ ንዘሳገረና ኣምላኽ ዕቤቱ ክንነግር፡ (1ጴጥ.2፡9 ረአ) ከነበሥር፣ "ሑሩ ወመሀሩ ኩሎ ኣሕዛበ" "እምበኣር ኪዱ ንኹሎም ኣሕዛብ መሃሩ" (ማቴ.28፡19) ኪብል ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝሃበና ተልእኮ ንምፍጻም ክንተግህ፣ ንምእመናን ዓበይቲ ናእሽቱ፣ ሰብኣይ ሰበይቲ፣ ሃብታም ድኻ፣ ምሁር ዘይምሁር….. ንኹሉ ብሥራት-ወንጌል ከነባጽሕ ግቡእና እዩ።

እዚ መዝገበ ሃይማኖትና ኣብ ሕዝቢ ክንዝርግሕ ከሎና እምበኣር፣ ቅድሚ ኹሉ ኣጀሚሩ ንዘፈጸመ ልዑል ኣምላኽና ምስጋና ይኹን። ንኣባ ግርማይ ኣብርሃን ንማኅበር ሲታውያንን፣ ከምኡ'ውን ንኹሎም ኣብ ኀትመቱ ዝተሓባበሩና ሰባትን ኣካላትን፣ ብፍላይ ናይ ካቶሊካውያን ጀርመን ሚስዮ-ኣኽን ብልቢ ነመስግን።

ኣቦና ርእሰሊቃነጳጳሳት ዮሓንስ-ጳውሎስ ዳግማዊ ኣብ'ቲ <u>*መዝገበ እምነት ምሕላው*</u> ዚብል ሓዋርያዊ ቅዋሞም ብዛዕባ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ከምዝተመነዩዎ፣ ከም ስሙ ሓቀይና ናብ ዝኾነ ቅኑዕ ናጽነት ዚመርሕ (ዮሓ.8፡32)፦ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ኣብ ክርስቶስ ናብ እትርከብ ሕይወት፦ ኣብ መንግሥተ ሰማይ ድማ ንኣምላኽ ገጽ ንገጽ ብምርኣይ ናብ እትጭበጥ ምልኣት ብፅዕና ዜብጽሕ (1ቆሮ.13፡12፣ 2ቆሮ.5፡6-8) ይኹን፤ በዚ ጽሑፍ'ዚ ዚዝርጋሕ ኡነተይና ብርሃን ንዓሌትሰብ ካብ ድንቍርናን ባርነት ኃጢኣትን ሓራ ዘውጽኦ ይግበሮ።

እዚ ክቡር "<u>መዝገበ ሃይማኖት" ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን</u> ብርእሰ ሊቃነጳጳሳት ዮሓንስ-ጳውሎስ 2ይ ዝጸደቐሉ መበል 15 ዓመት (25 ሠነ 1992) ንዝክር፡

ብበዓለ ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ዩስጢኖስ ሠነ ፲፰ ፲፱፻፺፱ 25 ሠነ 2007 ኣሥመራ።

## ካቶሊካውያን ጳጳሳት

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም…. ኤጳርቃ ዘኣሥመራ፣
ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ………. ኤጳርቃ ዘከረን፣
ኣቡነ ቶማስ ያስማን……...ኤጳርቃ ዘባረንቱ፣
ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስ...... ልሂቕ ጳጳስ፣
ኣቡነ ሉቃስ ሚለዚ……… ልሂቕ ጳጳስ፣

# መቕድም

“ኦ! ኣቦ....ነኣኻ ብሕትኻ ኣምላኽ ዝኾንካን፣ ነቲ ንስኻ ዝለኣኽካዮ ኢየሱስ ክርስቶስን ምፍላጥ፡ ሕይወት-ዘለዓለም እዩ።[1] ኲሎም ሰባት ኪድሕኑን፣ ናብ ፍልጠት-ሓቂ ኪበጽሑን፣ ናይ እግዚኣብሔር መድኃኒና ድላዩ እዩ”።[2] ንሕና ደቂ-ሰባት ክንድሕነሉ እንኽእል፡ ብዘይካ ስም-ኢየሱስ፡ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ካልእ ስም ኣይተዋህበናን።[3]

## I. ሕይወት ሰብ ንእግዚኣብሔር ምፍላጥን ምፍቃርን እዩ

1 እቲ መወዳእታ ዘይብሉ ፍጹምን፡ ብርእሱ ብፁዕን ዝኾነ እግዚኣብሔር፣ ብሕያውነቱ ጥራሕ ተደሪኹ ብዝገበሮ መደብ፣ ኣብ ሕይወት-ብፅዕናኡ ንኺሳተፍ ኢሉ፡ ብናጻ ድላዩ ንሰብ ፈጠሮ። በዚ ምኽንያት'ዚ እግዚኣብሔር ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን፡ ወትሩ ኣብ ጐድኒ ወድሰብ ይርከብ። ንኽናድዮን ኪፈልጦን፣ ብዅሉ ኃይሉ ምእንቲ ከፍቅሮን ኢሉ ከኣ ንሰብ ይጽውዮ። ብኃጢኣት ንዝተበታተኑ ኲሎም ሰባት ድማ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ስድራቤታዊ ሓድነት ይእክቦም። ነዚ'ውን ብወዱ ይፍጽሞ። ግዜኡ ምስ ኣኸለ መድኃኒና ገቢሩ ለኣኾ። ዅሎም ሰባት ብኣኡን ኣብኡን ብመንፈስ ቅዱስ ደቂ-ጸጋኡን፣ ወረስቲ ሕይወት ብፅዕናኡን ምእንቲ ኪኾኑን፣ እግዚኣብሔር ጸዊዑዎም እዩ።

2 እዚ ጸዋዕታ'ዚ ኣብ ኲላ ምድሪ ምእንቲ ኪቃላሕ፣ ኢየሱስ ነቶም ዝሓረዮም ሓዋርያት፣ ወንጌል ኪሰብኩ ሕድሪ ሂቡ፣ ልኢኹዎም። “ከይድኩም ንዅሎም ሕዝብታት መሃሩዎም፤ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣጠምቑዎም። ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ንኺፍጽሙ መሃርዎም። እነሆ ኣነ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ምሳኻትኩም ኣሎኹ።[4] በዚ ተልእኮ'ዚ ተበራቲዖም ሓዋርያት ተበገሡ፣ ኣብ ኩሉ'ውን ሰበኹ። ጐይታ ምስኣታቶም ኮይኑ ይሰርሕን፣ ነቲ ቃሉ ከኣ በቲ ዚስዕብ ዝነበረ ተኣምራት የጽንዖን ነበረ።[5]

3 እቶም ንጸዋዕታ ክርስቶስ ሰሚዖም፡ ብኃይሊ ኣምላኽ ዝመለሹሉ፣ ነቲ ጽቡቕ ዜና ብግዴኦም ከበሥሩ ብፍቕሪ ተደሪኾም እዮም። ሓዋርያት ዝተቐበልዎ መዝገብ ብተኸተልቶም ብጥንቃቐ ተሓሊዉ። ብኽርስቶስ ዚኣምኑ ዘበሉ፣ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ከመሓላልፍዎ፣ ንእምነት ከበሥሩ፣ በዚ እምነትዚ ኣብቲ ሓድነት-ኣኅዋት ኪነብሩ ኣብ ሥርዓት-ኣምልኾን ጸሎትን ኪዝክርዎን ተጸዊዖም ኣለዉ።[6]

---

[1] ዮሓ 17፡ 3
[2] 1ጢሞ 2፡ 3-4
[3] ግ.ሓ 4፡ 12
[4] ማቴ 28፡ 18-20
[5] ማር 16፡ 20
[6] ግ.ሓ 2፡42 ረአ

## II. እምነት ምምሕልላፍ፦ መደብ ትምህርቲ ክርስቶስ

4 ክርስትያን ዝኾኑ ቐዳሞት ተኸተልቲ ንምፍራይን፣ ኢየሱስ ወልደ-እግዚኣብሔር ከምዝኾነ ከምዚኣምኑ፣ በዚ እምነትዚ ብስም ኢየሱስ ሕይወት ከምዚ ረኽቡ ንምግባርን፣ ኣባላት ክርስቶስ ምእንቲ ኪኾኑ በዚ ሕይወት'ዚ ንምዕባዮምን ንምምሃሮምን፣ ዝተገብረ ሓፈሻዊ ናይ ቤተክርስትያን ጻዕሪ ካብ ቀደም ኣትሒዙ "መደብ ትምህርተ-ክርስቶስ" (catechesis) ተባህለ።[7]

5 ትምህርተ-ክርስቶስ ኪበሃል እንከሎ፣ ንቈልዑ፡ ንመንእሰያት፡ ንዓበይቲ ብናይ ሃይማኖት ጉዳይ ምምሃሮም ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ንክርስትያናዊ ትምህርተ-እምነት ብዝተወሃሃደ መደበይና ኣገባብ ምምሃሩን፣ ንሰማዕቲ ናብ ናይ ክርስትናዊ ሕይወት ምልኣት ምምራሕን የጠቓልል።[8]

6 ምስኡ ማዕረ ዚረአ'ኳ እንተዘይኮነ፣ ትምህርተ-ክርስቶስ ዝተሓንጸሉ ንናይ ቤተክርስትያን ተልእኮ-ጕስነት ዚርኢ ገለ ነጥብታት ኣሎ፤ እዚ ድማ ትምህርተ-ክርስቶሳዊ ጠባያት ዘለዎ ኮይኑ፣ ንመደብ ትምህርተ-ክርስቶስ ዘሰናዱ፡ ወይ ከኣ ካብኡ ዚፍልፍል እዩ። እዚ፡ እቲ ፈለማ ብሥራት ወንጌል ወይ ከኣ እምነት ዘፈልፍል ስብከት፣ መሠረት እምነት ንምርዳእ ዚግበር ምርምር፣ ተመክሮ-ሕይወት ክርስትና፣ ምዝውታር ምሥጢራት፣ ናይ ማኅበር ክርስትና ኣባልነት፣ ሓዋርያውን ተልእኮኣውን ምስክርነትን እዩ።[9]

7 "መደብ ትምህርተ-ክርስቶስ" ምስ መላእ ሕይወት-ቤተክርስትያን ኣጸቢቑ ዝተኣሳሰረ እዩ። ቤተክርስትያን፡ ብቦታ ምስፍሕፋሓ፣ ብቝጽሪ ምብዛሓ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣውራ እኳ ደኣ፡ እቲ ውሽጣዊ ዕብየታ ንመለኮታዊ መደብ ተቐባልነታ ኩሉ፣ ካብ ትምህርተ-ክርስቶስ ዝመጽእ እዩ።[10]

8 ቤተክርስትያን ዝተሓደሰትሉ እዋናት፣ እቲ ጽዑቕን ጽቡቕን መደብ ትምህርተ-ክርስቶስ ዝተኻየደሉ እዋናት እዩ፤ ከመይ ኣብ'ቲ በዓል ጥዑም ዝና ዝኾነ ዘመነ-ኣበው፣ ገሊኦም ቅዱሳን ኣቡናት፣ ኣብ ሓዋርያዊ ተልእኾኦም ብዙሕ ግዜ ኣብ መደብ ትምህርተ-ክርስቶስ የሕልፍዎ ነበሩ። እዚ ግዜ'ዚ ድማ፣ ቅዱስ ቄርሎስ ዘኢየሩሳሌም፣ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፣ ቅዱስ ኣምብሮዝዮስ፣ ቅዱስ ኣጐስጢኖስ፣ ካልኦት ብዙኃት ኣበውን ዝነበሩሉ እዋን እዩ። እቲ ናይ ትምህርተ-ክርስቶስ ጽሑፋቶም ዘደንቕ ኣብነት እዩ።[11]

9 ኣገልግሎት ትምህርተ-ክርስቶስ ካብ ጉባኤታት ብዚወሃብ መምርሕታት ሓዲሽ ኃይሊ ይረክብ። ጉባኤ ትረንቶስ፡ ኣብዚ ኪጥቀስ ዚግበኦ ኣብነት እዩ። እዚ ጉባኤ'ዚ፡ ኣብቲ ሥርዓታቱን ድንጋገታቱን ንመደብ ትምህርተ-ክርስቶስ ቀዳምነት

---

[7] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ ሓዋርያዊ ምሕጽንታ "ትም.ክር. ምምሕልላፍ" 1:2 ረአ
[8] ትም.ክር. ምምሕልላፍ CT 18
[9] ትም.ክር. ምምሕልላፍ CT 18
[10] ትም.ክር. ምምሕልላፍ CT 13
[11] ትም.ክር. ምምሕልላፍ CT 12 ረአ

*ይህብ። "ሮማዊ ትምህርተ ክርስትያን" ብዚብል ኣርእስቲ ንዝተሰናደወ መሠረቱ እዩ። ብስም'ቲ ጉባኤ ዚጽዋዕ'ውን እንኪኸውን፣ ከም መጠን ጽማቕ ክርስትናዊ ትምህርቲ ብሓቂ ዋጽኢ ዝኾነ ድርሰት እዩ...።*[12] *ኣብ ቤተክርስትያን ብፍላይ ዚጥመት ዝተወሃሃደ መደብ ትምህርተ-ክርስቶስ ዝተንቀሳቐሰ ሳላ ጉባኤ ትረንቶስ እዩ። ከምኡ'ውን ሳላ'ቲ ምስጉን ዝኾነ ስራሓት ገሊኣቶም ቅዱሳን ኣቡናትን መምህራን ሥነመለኮትን፣ ብፍላይ ሳላ ስራሓት ቅዱስ ጴጥሮስ ካኒስዩስ፣ ቅዱስ ካርሎስ ቦሮመዩስ፣ ቅዱስ ቱሪቢዮስ በዓል ሞንግሮቭዮ፣ ቅዱስ ሮበርቶስ በላርሚኑስ፣ ብዙሕ መጻሕፍቲ ትምህርተ ክርስትያን ኪሰናዶን ኪኅተምን ተረኺቡ።*

**10** ስለዚ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ጳውሎስ 6ይ ናይ ዘመኑ ዓቢይ *"(መጽሓፍ) ትምህርተ ክርስትያን"* ኪብሉ ዝሰመይዎ፣ ኣብ ጽባሕ ጉባኤ ቫቲካን 2ይ መደብ ትምህርተ ክርስቶስ፣ ኣብ ቤተክርስትያን ፍሉይ ኣቓልቦ እንተረኸበ ዜገርም ኣይኮነን። The General Catechetical Directory *"ጠቕላሊ መምርሒ መደብ ትምህርተ ክርስቶስ"* (1971)፣ ብስብከተ-ወንጌል ዝዘተየ ናይ ኣቡናት ሲኖዶስ ኣኼባታትን (1974) ብዛዕባ መደብ ትምህርተ-ክርስቶስ ዝተገብረ ሲኖዶስን (1977)፣ ሓዋርያዊ ምሕፅንታ Evangelii Nuntiandi *"ወንጌል ብምብሣር"* (1975)፣ ከምኡ ድማ Catechesi tradendae *መደብ ትምህርተ ክርስቶስ ምምሕልላፍ* (1979) ዝኣመሰለ ሰነዳት ከም መመሳኸሪ ኪቐርብ ይኽእል። እቲ ብ1985 ዝተጋብአ ፍሉይ ሲኖዶስ-ኣቡናት፣ *"ንመላእ ካቶሊካዊ ትምህርተ-እምነት፣ ማለት ንእምነትን ሞራልን ዚርኢ መጽሓፍ"* ኪሰናዶ ሓቲቱ ነይሩ።[13] ብፁዕ ወቅዱስ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዮሓንስ ጳውሎስ ዳግማዊ ድማ ነዚ ናይ ሲኖዶስ ድልየት፡ ናቶም ገቢሮም፡ "እዚ ሃረርታዚ ምስቲ ናይ ኵላዊት ቤተክርስትያን ኮነ፡ ናይ'ተን ፍሉያት ኣብያተክርስትያን ግድነት ዚሳነ እዩ" ኪብሉ ድሕሪ ተኣሚኖም፣[14] ነዚ ናይ ኣቡናት ሲኖዶስ ድልየት ንምፍጻም ነኣኡ ዜድሊ ዘበለ ኩሉ ከንቀሳቕሱ ተረኺቡ።

## III. ናይ'ዚ መጽሓፍ ትምህርተ ክርስትያን ዕላማን ኣንበብቱን

**11** እዚ ትምህርተ-ክርስትያን'ዚ፡ ነቲ ናይ እምነትን ሞራልን (ሥነ ምግባርን) ቀንዲ መሠረታውን ካቶሊካውን ትምህርተ-እምነት ብሥሩዕን ሓጺርን ኣገባብ፣ ብናይ ጉባኤ ቫቲካን 2ይ ትምህርትን፣ ናይ ቤተክርስትያን መላእ ትውፊትን ተመሪሑ የቕርቦ። ቀንዲ ምንጭታቱ ከኣ ቅዱሳት መጻሕፍቲ፣ ትምህርተ ኣበው፣ ሥርዓተ-ኣምልኾ (ሊጡርጊያ)፣ ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት (magisterium) እዩ። ነቲ ኣበየ ሃገራቱ ኪሰናዶ ዘለዎ ትምህርተ ክርስትያን ወይ ነኣኡ ዚርኢ ድርሳናት መወከሲ ኪኸውን እዩ ተሓሲቡ።[15]

---

[12] ትም.ክር. ምምሕልላፍ CT 13
[13] ፍሉይ ሲኖዶስ 1985 ዛዛሚ ጸብጻብ፡ II B a, 4.
[14] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ፡ ንግግር፣ መዛዘሚ ፍሉይ ሲኖዶስ 7 ታኅሣሥ 1985፡ AAS 78 (1986).
[15] ፍሉይ ሲኖዶስ 1985 ዛዛሚ ጸብጻብ፡ II B a, 4.

12 እዚ ትምህርተ ክርስትያን'ዚ፣ ብቐዳምነት ነቶም ኣብ መደብ ትምህርተ ክርስቶስ (Catechesis) ተመዲቦም ዚሰርሑ፣ ቅድሚ ኹሉ ከም መጠን መምህራን-እምነት፡ ጓሶት ቤተክርስትያንን፡ ንኣቡናት ኪሕግዝ ዝተሓሰበ እዩ። ኣብ ሕዝበ-እግዚኣብሔር ንዘለዎም ናይ ምስትምሃር ተልእኮት ንምፍጻም ደገፍ ኪኸውን ዝተዋህበ መጋበሪ እዩ። በዞም ኣቡናት ኣቢሉ ከኣ መጻሕፍቲ ትምህርተ-ክርስትያን ናብ ዘሰናድዉን ዘወሃህዱን ካህናት፡ መምህራን ትምህርተ-ክርስቶስ ኪበጽሕ ዝተመደበ እዩ። ንኹሎም ካልኦት ምእመናን'ውን እንተኾነ ዓቢይ ረብሓ ዚርከቦ ንባብ ኪኸውን እዩ።

## IV. ኣሰራርዓ'ዚ ትምህርተ ክርስትያን

13 ናይ'ዚ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስትያን መደብ፣ ነቲ በርባዕተ ኣዕኑድ ዝቖመ ናይ ዝቐደሙ መጻሕፍቲ ትምህርተ ክርስትያን ክቡር ትውፊት ተኸቲሉ ዘስተምህር እዩ፤ ማለት፡ -እቲ ኣብ ጥምቀት ዚግለጽ እምነት (ጸሎተ ሃይማኖት)፣ ናይ እምነት-ክርስትና ምሥጢራት፤ ብእምነት ዚንበር ሕይወት (ትእዛዛት እግዚኣብሔር)፣ ጸሎተ ምእመን (ጸሎተ ጐይታና/ኣቡነ ዘበሰማያት)።

### *ቀዳማይ ክፍሊ፦ እምነትካ ምግላጽ*

14 ብእምነትን ብጥምቀትን ናይ ክርስቶስ ዝኾኑ ኩሎም፡ ነቲ ብጥምቀት ዝለበስዎ ሃይማኖቶም ኣብ ቅድሚ ሰብ ኪገልጽዎ ይግበኦም።[16] በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ ትምህርተ-ክርስትያን ቅድሚ ኩሉ ብዛዕባ ግልጸት ይዝርዝር። በዚ ግልጸት'ዚ ኣቢሉ እግዚኣብሔር ንሰብ ይዛረቦ፣ ርእሱ ከኣ የወፍን ይገልጽን። ሰብ ድማ ንእግዚኣብሔር ብእምነት ይምልሸሉ (ቀዳማይ ወገን)፣ ናይ ኩሉ ነገር ምንጪ ዝኾነ እግዚኣብሔር፣ ከም መጠን መድኃንን ቀዳስን ኮይኑ ንሰብ ዝገበረሉ ህያባት ኩሉ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ይጠቓለል። ነዚ ኹሉ ኣብ ጥምቀትና ብዛዕባ ዝለበስናዮ እምነት ዚዛረብ ሠለስተ ምዕራፋት ኣጸቢቑ ይገልጽ፦ 1) ከኣልኩሉን ፈጣርን ኣቦን ዝኾነ ሓደ ኣምላኽ እግዚኣብሔር፣ 2) ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታናን መድኃኒናን፣ 3) መንፈስ ቅዱስ፤ ቀዳሲናን መንጽሒናን፣ ቅድስቲ ቤተክርስትያን፣ (ካልኣይ ወገን)።

### *ካልኣይ ክፍሊ፦ ምሥጢራት እምነት*

15 ናይ'ዚ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስትያን ካልኣይ ክፍሊ ድማ፣ እቲ ብኢየሱስ ክርስቶስን ብመንፈስ ቅዱስን ሓንሳብ ንወትሩ ዝተፈጸመ ናይ ኣምላኽ ግብረ-ድኅነት ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ግብረ-ኣምልኾ (ሊጡርግያ) ኣብ ዚፍጸም መንፈሳዊ (ዝተቐደሰ) ተግባራት (ቀዳማይ ወገን)፣ ብሕልፊ ከኣ፡ ኣብቲ ሾብዓተ ምሥጢራት (ካልኣይ ወገን) ይግለጽን ህልው ይኸውንን።

---

[16] ማቴ 10፡32፣ ሮሜ 10፡9 ረአ

## ሣልሳይ ክፍሊ፡- ብእምነት ዚንበር ሕይወት

16 ናይዚ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስትያን፡ ሣልሳይ ክፍሊ በርኢያ-ኣምላኽ ናይ ዝተፈጥረ ሰብ ናይ መፈጸምታ ዕላማኡ እንታይ ከምዝኾነ ይገልጽ፤ እዚ ማለት ከኣ ሕይወት-ብፅዕነትን፡ እቲ ናብኡ ዜብጽሕ መንገድታትን፡ ብድልየትን ናጽነትን ብዝተመርጸ ቅኑዕ ጠባይን፡ ብሓገዝ ሕጊ-እግዚኣብሔርን ጸጋኡን (ቀዳማይ ወገን)፣ ነቲ ድርብ ገጽ ዘለዎ ኣብ ናይ እግዚኣብሔር ዓሠርተ ትእዛዛት ዚግለጽ፡ ናይ ፍቕሪ ትእዛዝ ዝተኸተለ ጠባይን መንገድን ምሓዝ ይምህር (ካልኣይ ወገን)።

## ራብዓይ ክፍሊ፡- ብእምነት ኣብ ዚንበር ሕይወት፡ ጸሎት

17 ናይ'ዚ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስትያን መወዳእታ ክፍሉ (4[ይ] ክፍሊ)፡ ኣብ ሕይወት-ምእመናን ናይ ጸሎት ምሥጢርን ቀኑምነገርን እንታይ ከምዝኾነ ይትንትን (ቀዳማይ ወገን)። ኣብ ኣቡነ ዘበሰማያት ንዚርከብ ሾብዓተ ልመናታት ኣሕጽር ኣቢሉ ብምዝርዛር ይዛዝም (ካልኣይ ወገን)። እንካብ'ቲ ሰማያዊ ኣቦና ብተስፋ እንጽበዮን፡ ንሱ'ውን ብወገኑ ኪህበና ዚደልዮን ሠናያት ኩሉ ኣብዚ ዝበልናዮ ልመናታት ንረኽቦ።

# V. ነዚ መጽሓፍ'ዚ ንምጥቃም ዚሕግዝ መምርሒታት

18 እዚ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስትያን፡ ናይ ካቶሊካዊ እምነት ብምሉኡ ሥሩዕን መደበይናን ኣቀራርባ ዝሓዘ እዩ። ስለ'ዚ ከም ሓደ ዝተወሃሃደ እሞ ምልኣት ዘለዎ ገቢርካ ምንባቡ የድሊ። ኣብ ወሰናስን ገጻት-መጽሓፍ ዘሎ ነንሓድሕዱ ዜናጻጽር ብዝሕ ዝበለ ምልክታት፡ (ብፍሉይ ዝተጻሕፈ ቊጽርታት ነቲ ኣብ ካልእ ብተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዚዛረብ ኣናቕጽ ዚሕብር)፣ ከምኡ'ውን ኣብ መወዳእታኡ ዘሎ መውጽእን (ናይ ገጻት)፡ ነፍስወከፍ ርእሰ-ሓሳብ ምስቲ ምልኣት-እምነት ዝተኣሳሰረን ዝተሳነየን ከምዝኾነ የመልክት።

19 ዚበዝሕ ጥቕስታት ቅዱስ መጽሓፍ ቓል ንቓሉ ኣይተወስደን፤ ንሓበሬታ ጥራሕ ("ረአ" ብዚብል) ተመልኪቱ ኣሎ። ነቲ ዝተጠቕሰ ወገናት ኣዕሚቕካ ንምግንዛብ፡ ነቲ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ጥቕሲ ተመላሊስካ ምንባብ የድሊ። እዚ ንቅዱስ መጽሓፍ ዚርኢ ሓበሬታታት ኣብ መደብ ትምህርተ ክርስቶስ ብሉጽ መጋበሪ እዩ።

20 ኣብ ገሊኡ ብደቂቕ ፊደል ዝተጻሕፈ ይርከብ እዩ። እዚ ከም'ዚ ዝበለ፡ ንታሪኽ ዚርኢ፡ ወይ ከኣ ምእንቲ ሓቅነት-ሃይማኖት ዚከላኸል (apologetic)፣ ወይ ከኣ ንትምህርተ-እምነት ዚርኢ ሓጋዚ መግለጺታት የመልክት።

21 ካልእ ብደቂቕ ዝተጻሕፈ'ውን እቲ ወገን ጥቕስታት እዩ። እዚ ካብ ኣበዉ፣ ካብ ሥርዓተ-ኣምልኾ፣ ካብ ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣኑ-ትምህርት (magisterium)፣ ካብ ሕይወት- ቅዱሳን ዝተወስደ ኮይኑ፣ ዕላማኡ ነቲ ናይ ትምህርተ-እምነት ኣቀራርባን ትንተናን ንኸሃብትም

እዩ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ኪምረጽ ከሎ ንመደብ ትምህርተ-ክርስቶስ (Catechesis) መሪሕ ንኺኸውን እዩ።

22 ሓደ ሓሳብ ዝሓዘ ነፍስወከፍ ኣርእስቲ እንኪዛዘም፡ እቲ ኹሉ ዝተባህለ ቀቀንዱ ብሓጺሩ ይድገም፤ እዚ ሓጺር ተዋጽኦ፣ ኣብ ሃገሩ፡ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስትያን ንዜሰናድዉ ዚጠቅምን ብሓጺሩ ዚዝከርን ሓሳባት የቕርብ።

## VI. ኣድላዩ ለውጥታት

23 እዚ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስትያን'ዚ ኃይሊ-ነገሩ ኣብ ትንተና ትምህርተ-እምነት ዘቕለበ ኮይኑ፣ እምነት-ሃይማኖት ተረዲእካ ንምዕማቑ ዚሕግዝ እዩ። በዚ ኣገባብዚ እምነት ንምዕባይ ኣብ ክርስትያናዊ ሕይወት-ነፍስወከፍ ሡር ከምዚሰድድ ንምግባርን፣ኣብ ውልቃዊ ተግባራትን ጠባያትን ብርሃኑ ንኽንፀባርቕ ዝዓለመን እዩ።[17]

24 እዚ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስትያን ኪንደፍ ከሎ፣ ዝተፈላለየ ባህልን ሕንጸተ-ሰብን፣ ዕድመን መንፈሳዊ ብስለትን፡ ማኅበረሰባዊ ኵነታትን፡ ቤተክርስትያናዊ ሃለዋትን ብዚሓቶ መሠረት ኪግበር ዘለዎ ናይ ኣቀራርባ ትምህርተ-እምነት ምምሕያሻትን፤ ናይ ኣመሃህራ ትምህርተ ክርስቶስ ብልኃትን ከጠቓልል ተባሂሉ ኣይኮነን። እዚ ከም'ዚ ዝበለ ኣድላዩ ምምሕያሻት፣ ኣብ በቦታኡ ኪሰናዶ ንዘለዎ መጻሕፍቲ ትምህርተ ክርስትያን ተገዲፉ ኣሎ። ብፍላይ ድማ ኣብ በቦታኡ ናይ ዘለዉ፡ መምህራን-ምእመናን መዝነት እዩ።

> "እቲ ዚምህር፡ ንኹሎም ናብ እምነት-ክርስቶስ ምእንቲ ኪስሕቦም....." "ንኹሎም ኩሉ ኪኸውን" ይግባእ፣ (1ቆሮ፡ 9፡22)። ንኹሎም ምእመናን ብዓይነታ ሓንቲ ነፍሲ ጥራሕ ከምዘይተዋህበቶም፡ ምእንት'ዚ ከኣ ቅኑዕ መንፈሳውነት ኪምህርዎም ከለዉ፣ ብሓንትን ተመሳሳሊትን ብልኃት ወይ ኣገባብ ጥራሕ ኪምህርዎም ከምዘይብሎም፣ መምህራን ቅድሚ ኹሉ ኪግንዘብዎ ዚግበኦም እዩ። ገሊኦም ኣብ እምነት-ክርስቶስ ሕጂ ከምዝተወልዱ ሕፃናት እዮም፤ ካልኦት ከኣ ከም ፍርዝን ዝበሉ፣ ካልኦት እውን ክእለቶምን ጠባያቶምን ኪመልኩ ዚኽእሉ ብጹሓት እዮም። እቶም ኪሰብኩ ዝተጸውዑ፡ ንትምህርቲ ምሥጢራት-እምነትን፣ ናይ ሞራላዊ ሕይወት ሕግታትን ኪነግሩ ከለዉ ስብከቶም/ቃላቶም፡ ንናይ ሰማዕቶም ደረጃ ብስለትን ርድኢትን ዚሰማማዕ ኪኸውን ይግባእ።[18]

[17] ትም.ክር. ምምሕልላፍ CT 20-22; 25 ረአ

[18] ሮማዊ ትም.ክር. Preface 11,1 ቆሮ 9፡22፣ 1ጴጥ 2፡2 ረአ

## ፍቕሪ ልዕሊ ኹሉ እያ፤

25 ነዚ ዝቐረበ ናይ ጽሑፍ መባእታ ንምዝዛም፡ እቲ መጽሓፍ "ሮማዊ ትምህርተ ክርስትያን" ዝሃቦ (1966) ሓዋርያዊ መምርሒ ምዝካር የድሊ።

> "ናይ ትምህርተ-እምነት ሓሳብን ሓልዮትን መወዳእታ ናብ ዘይብላ ፍቕሪ ከተኰር (ከቕልብ) ኣለዎ። ምእንቲ ኪእመን ወይ ከኣ ተስፋ ምእንቲ ከነቓቕሕ፡ ወይ ንተግባር ከተባብዕ ተባሂሉ ዚንገር ኩሉ፣ ወትሩን ኣብ ኩሉን፡ ናብ ናይ ጐይታና ፍቕሪ ዘብጽሕ ኪኸውን የድሊ። በዚ ከኣ ናይ ክርስትያን ፍጹም መንፈሳዊ ኃይሊ ዝኾነ ተግባር እንካብ ፍቕሪ እምበር ብኻልእ ከምዘይመጽእን፣ መጨረሽታኡ'ውን ፍቕሪ ከምዝኾነን ኩሉ ኪርድኦ ይኽእል"።[19]

[19] ሮማዊ ትም.ክር. Preface 10, 1 ቆሮ 13፡8 ረአ

# መጀመርያ ክፍሊ
# እምነት ክርስትናኻ ምግላጽ

## ቀዳማይ ወገን፣
## "ኣኣምን ኣሎኹ" - "ነኣምን ኣሎና"

### ምዕራፍ ሓደ፣
### ሰብ ንእግዚኣብሔር ዚፈልጠሉ ዓቕሚ ኣለዎ

I. ንእግዚኣብሔር ምድላይ
II. ንእግዚኣብሔር እንፈልጠሉ መንገድታት
III. ንኣምላኽ ምፍላጥ፣ ብትምህርቲ ቤተክርስትያን
IV. ብዛዕባ ኣምላኽ ብኸመይ ንዛረብ?
ብሓጺር

### ምዕራፍ ክልተ፣
### ኣምላኽ ምስ ሰብ ኪራኸብ ይመጽእ

#### ኣንቀጽ 1፣ ግልጸት እግዚኣብሔር

I. እግዚኣብሔር ን"መደብ ሥምረቱ" ገሊጽዎ
II. ደረጃታት ግልጸት
III. ናይ ኩሉ ግልጸት መንጎይናን ምልኣትን፣ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ
ብሓጺር

#### ኣንቀጽ 2፣ ምትሕልላፍ መለኮታዊ ግልጸት

I. ሓዋርያዊ ትውፊት
II. ርክብ ቅዱስ መጽሓፍን ትውፊትን
III. ትርጓሜ መዝገበ እምነት
ብሓጺር

### ኣንቀጽ 3፡ ቅዱስ መጽሓፍ

I. ክርስቶስ እቲ ኡንኮ ቃል ቅዱስ መጽሓፍ

II. ኣስተንፍሶ ቅዱስ መጽሓፍን ሓቅነቱን

III. ትርጓሜ ቅዱስ መጽሓፍ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ እዩ

IV. ቀኖና ቅዱስ መጽሓፍ

V. ቅዱስ መጽሓፍ ኣብ ሕይወት ቤተክርስትያን

ብሓጺር

## ምዕራፍ ሠለስተ፡

## ንኣምላኽ ዝተዋህበ፣ ምላሽ ሰብ

### ኣንቀጽ 1፡ ኣኣምን ኣሎኹ

I. ተኣዝዞ እምነት

II. "ኣብ መን ከምዝኣመንኩ እፈልጥ እየ"

III. ናይ እምነት ዓይነተይና ባሕርያት

### ኣንቀጽ 2፡ ንሕና ነኣምን ኣሎና

I. ኦ ጐይታ! ንእምነት ቤተክርስትያንካ ጠምት

II. መግለጺ እምነት

III. ሓንቲ እምነት

ብሓጺር

ጸሎተ ሃይማኖት

# መዝሙርያ ክፍሊ
# እምነት ምግላጽ

## ቀዳማይ ወገን
## "ኣኣምን ኣሎኹ" - "ንኣምን ኣሎና"

26 እምነትና ክንገልጽ (ክንነግር/ክንምስክር) ከሎና፡ "ኣኣምን ኣሎኹ" ወይ ከኣ "ንኣምን ኣሎና" ብምባል ንጅምር። ስለዚ ነቲ ኣብ ጸሎተሃይማኖት ተነጊሩ፣ ኣብ ሥርዓተ ኣምልኾ (ሊጡርጊያ) ተዘኪሩ፣ ኣብ ናይ ትእዛዛትን ጸሎትን ልምዲ፡ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ እምነት ቤተክርስትያን ቅድሚ ምዝርዛርና፣ "ምእማን" እንታይ ከምዝኾነ ክንሓትት ይግባእ። ንዓሌት-ሰብ ርእሱ ንዚገልጽን ዘወፍን ኣምላኽ፡ ብወገን ሰብ ዚወሃቦ ምላሽ እምነት ንብሎ። እዚ ግልጸትዚ ነቲ ናይ ሕይወት ዝለዓለ ምሥጢርን ቍምነገርን ሃሰስ ዚብል ሰብ ዕዙዝ ብርሃን ይህቦ። ምእንትዚ ቅድሚ ኩሉ፡ ነዚ ሰብ ዚገብሮ፣ "ምድላይን ሃሰስ ምባልን" (ቀዳማይ ምዕራፍ) ክነስተውዕል፤ ደሓር ድማ ኣምላኽ ንሰብ ዚገልጸሉ መለኮታዊ ግልጸት (ካልኣይ ምዕራፍ) ድሕሪ ኣስተንተንና፣ ኣብ መወዳእታ ነቲ ብእምነት ዚወሃብ ምላሽ (ሣልሳይ ምዕራፍ) ክንግንዘብ ኢና።

## ምዕራፍ ሓደ
## ሰብ ንእግዚኣብሔር ዚፈልጠሉ ዓቕሚ ኣለዎ

### I. ንእግዚኣብሔር ምድላይ

27 ንእግዚኣብሔር ምድላይ፡ ኣብ ልቢ ወድሰብ ተጻሒፉ ዘሎ እዩ፤ 355:170
ምኽንያቱ ከኣ ሰብ ብእግዚኣብሔርን ምእንቲ እግዚኣብሔርን ዝተፈጥረ እዩ። 1718
ኣምላኽ ብዘይምቍራጽ ናብኡ ይስሕቦ፤ ሰብ ከኣ ነቲ ብዘይዕረፍቲ ሃሰስ ዚብሎ ሓቅን ታሕጓስን ኣብ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ኪረኽቦ ዚኽእል።

> ወድሰብ ሕይወት-ኣምላኽ ንኺሳተፍ ዝተጸወዐ ምዃኑ ናይ ክብረግርማኡ ቀንዲ መሠረት እዩ። እንካብ ፍጥረቱ ጀሚሩ ሰብ ምስ እግዚኣብሔር ንኺዋሳእ ዝተጸወዐ እዩ። ወድሰብ ብሕይወት ዚነብር ዘሎ ከኣ፡ ኣምላኽ ብፍቕሪ ተደሪኹ ስለዝፈጠሮን፣ በዚ ፍቕሩ ከኣ ወትሩ ኣብ ህላዌ

> ስለዘንበሮን እዩ። ሰብ ብድላዩ ንፍቕሩ እንተዘይተቐቢልዎ፣ እምነቱ ኣብ ፈጣሪኡ እንተዘይኣንቢሩ ብምሉእ ሓቂ/ጽድቂ ኪነብር ኣይክእልን እዩ፡[1]።

**28** ኣብ ታሪኽ ከምዝተራእየ፣ ክሳብ ሎሚ ደቅሰብ ንኣምላኽ ከም
843: 2566 ዚደልዩዎን ከምዘናድዩዎን ብብዙሕ መንገዲ ገሊጾምዎ እዮም። ብእምነቶምን
2095-2109 ብመንፈሳዊ ኣከያይዳኦምን፡ ማለት ብጸሎቶም መሥዋዕቶም፡ ግብረ ኣምልኾኦም
ኣስተንትኖኦም…ንእግዚኣብሔር ሃሰስ ኪብልዎ ተረኺቡ። እዚ ናይ ግብረ-እምነት
ኣገላልጻን መልክዕን ዘይንጹር ነገራት'ኳ እንተለዎ፣ ኣብ ኩሉ ቦታ ዚርከብ
ብምዃኑ፡ ሰብ ብባህሪኡ ሃይማኖታዊ ፍጡር (ህልው) እዩ ኪበሃል ይከኣል፡-

> (እግዚኣብሐር) እንካብ ሓደ ሰብ ንኹሉ ዓሌት-ሰብ ፈጢሩ፤ ኣብ መላእ ምድሪ ንኺነብሩ ከኣ መደቦም። ምእንቲ ክናድዩዎ፣ እሞ መንይፈልጥ'ውን ሃሰስ ኢሎም እንተረኽብዎ ኢሉ፣ ንናይ ህላዌኦም እዋናትን ቦታታትን ደረትን ወሰንን መዲቡሎም። እንካብ ነፍስወከፍና ርሑቕ ስለዘይኮነ "ኣብኡ ኢና ንነብር፣ በኣኡ ኢና እንንቀሳቐስን እንካየድን"[2]።

**29** እንተኾነ ግን እዚ "ሰብ ምስ ኣምላኽ ዘለዎ ውሽጣውን ሕይወታውን
2123: 2128 ርክብ"[3] ኪርሳዕ፣ ሸለል ኪበሃል፣ ፈጺሙ'ውን ብሰብ ኪንጸግ ዚከኣል እዩ። ናይዚ
398 ኣከያይዳዚ መሠረቱ ብዙኅ እዩ። ኣብ ዓለም ክፉእ ነገር ኪህሉ ዘይምፍቃድ፣
ፍልጠት-ሃይማኖት ዘይምህላው፣ ወይ ከኣ ዘይምግዳስ፣ ኣብ ናይ ዓለም ሃብትን
ጥሪትን ምዝንባል፣ ኣመንቲ ዚህብዎ ሕማቕ ኣብነትን ዕንቅፋትን፣ ተጻይ-
ሃይማኖት ዝኾነ ናይ ዘመኑ ኣተሓሳስባ፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ ፈሪሑ ካብ ቅድሚ
ኣምላኽ ናይ ዚሕባእን፣ ካብ ጸዋዕታኡ ኪሃድም ናይ ዚደሊ ኃጢኣተይና ሰብ
ዝንባሌን ብምዃኑ እዩ።[4]

**30** "እቶም ንኣምላኽ ዚደልዩዎ፡ ልቦም ይተሓጐስ"[5]፤ ሰብ
2567: 845 ንእግዚኣብሔር ኪርስዮ ወይ ከኣ ኪነጽጎ ዚኽእል'ኳ እንተኾነ፣ እግዚኣብሔር ግን
368 ንነፍስወከፍ ሰብ ነኣኡ ምእንቲ ክናዲ፣ እሞ ኣብኡ ከኣ ምልኣት-ሕይወትን
ታሕጓስን ምእንቲ ኪረክብ ኢሉ እንካብ ምጽዋዑ ኣየቋረጸን። እዚ
ንእግዚኣብሔር ምድላይ፡ ብወገን ሰብ ናይ ምሉእ ኣእምሮ ጻዕርን፣ ጽቡቕ
ድሌትን ቅንዕና-ልብን እንኪሓትት፣ ንኣምላኽ ኣብ ምድላይ ናይ ዚመርሕዎ
ሰባት ምስክርነት እውን የድልዮ እዩ።

> "ኦ! ጐይታይ ንስኻ ዓቢይን ዕዙዝ ውዳሴ-ምስጋና ዚግበኣካን ኢኻ። ክእለትካ ዓቢይ፣ ጥበብካ ከኣ ኪልካዕ ዘይከኣል እዩ፤ እዚ ንኡስ ናይ ፍጥረትካ ጭራም ዝኾነ ሰብ ኪውድሰካ ይደሊ። እዚ ሰብ'ዚ ናይ መዋትነት ዕድሎቱ ለቢሱ፣ ናይ ኃጢኣት ምልክቱ ጸዊሩ፣ ንስኻ ንትዕቢተይናታት ከም ትቃወም ምስክር ኮይኑ ይርከብ። ምስ'ዚ ኹሉ ግን፣ ሰብ ሽሕ'ኳ

---

[1] ጉባኤ ቫቲካን 2ይ ፍሥሓን ተስፋን GS 19 § 1
[2] ግ.ሓ 17፡ 26-28
[3] ፍሥሓን ተስፋን GS 19 § 1.
[4] ፍሥሓን ተስፋን GS 19-21፣ ማቴ 13፡22፡ ዘፍ.3፡ 8-10፡ ዮሓ 1፡3 ረአ
[5] መዝ 105፡3

ናይ'ዚ ፍጥረትካ ንእሽቶይ ወገን እንተኾነ፣ ኪውድስካ ይደሊ። ንስኻ ኸኣ ናባኻ ብዜቕርቦ ውዳሴ ንኪሕጐስ ተተባብዖ። ከመይሲ ምእንታኻ ኢኻ ፈጢርካና'ሞ ልብና ነኣኻ ክይረኸበ ኣይከዕርፍን እዩ።[6]

## II. ንእግዚኣብሔር እንፈልጠሉ መንገድታት

**31** ብናይ እግዚኣብሔር ኣርኣያን ኣምሳልን ዝተፈጥረ ሰብ፣ ንእግዚኣብሔር ኪፈልጦን ከፍቅሮን ተጸዊዑ እዩ። እቲ ንኣምላኽ ዚደሊ ሰብ፣ ንኣምላኽ ዚፈልጠሉ ገለ መንገድታት ይረክብ። እዚ መንገድታት'ዚ፣ ናይ ህላዌ እግዚኣብሔር መረድኢታት ተባሂሉ ካብ ዚስመ ገሊኡ እዩ። ከም'ዚ ዘበሎ ከኣ በቲ ባሕርያዊ ኣእምሮኣዊ ፍልጠት ዝተረኽበ ማለት ዘይኮነስ፣ ናብ ናይ ሓቂ ርግጽነት ዜብጽሕን፣ ኣብ ሓደ ዚራኸብን ዚተኣኻኸብን፣ ዜረድእን መንገድታት ማለት እዩ። እዚ ካብ ፍጥረት ተበጊሱ ናብ ኣምላኽ ዘቕርብ "መንገድታት" ክልተ መበገሲ ነጥብታት ኣለዎ። ግዙፍ ዓለምን፣ ፍጥረት ሰብን።

**32** *ዓለም፦* እንካብ'ቲ ናይ ምድረ-ዓለም ምንቅስቓስን ምህላውን፣ ምልውዋጥን፣ሥርዓትን ጽባቔን ተበጊስና ንኣምላኽ ከም ናይ ዓለም መዠመርታን መወዳእታን ክንፈልጦ ንኽእል ኢና። 54: 337

ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ኣረማውያን ኪዛረብ ከሎ እዚ ዚስዕብ ይብል"..... እቲ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ኪፍለጥ ዚከኣል ኩሉ፣ ባዕሉ እግዚኣብሔር'ውን ገሊጹሎም ስለዝኾነ፣ ተነጊርዎም እዩ። ዘይረአ ባሕሪኡን ዘለዓለማዊ ክእለቱን መለኮቱን፣ ካብ ፍጥረት-ዓለም ኣትሒዙ በቲ ንሱ ዝገበሮ ብሰብ ኪፍለጥ ተኻኢሉ[7]።

*ንጽባቐ-ምድሪ፡ ንጽባቐ-ባሕሪ፣ ኣብ ኩሉ ተበቲኑ ንዚርከብ ኣየራት ጽባቔኡ ሕተት፣ ንጽባቐ-ሰማይ'ውን ሕተት። ነዚ ኹሉ ነገራት'ዚ ተወከስ። ረኣየና'ሞ ክንደይ ከምንጽብቕ ኣስተውዕል" ዚብል ምላሽ ኪወሃበካ እዩ። ጽባቔኦም ንርእሱ ምእማን (ምምስካር) እዩ። እዚ ጽባቐ'ዚ ተለዋዋጢ እንኪኸው፣ እቲ ዘይለዋወጥን ጽባቐ ብቐንዳን ዝኾነ (ኣምላኽ) እንተዘይኮይኑ ካልእስ መን ኪገብሮ ይኽእል!" እናበለ ቅዱስ ኣጐስጢኖስ ነቲ ሕቶ ይገልጾ።[8]

**33** *ሰብ፦* ሓቅን ጽባቔን ንምቕባል ብዝሓደሮ ዝንባሌ፣ ብዘለዎ ናይ ሞራልን ሠናይ ተግባርን ስምዒት፡ ብናጻ ዝንባሌኡን ብሕሹኽታ-ኅሊናኡን፣ በቲ ናይ ዘለዓለምነት ሃረርታኡን፣ ናይ ታሕጓስ ሃንቀውታኡን ተደሪኹ፡ ብህላዌ-ኣምላኽ ይመራመር። ኣብዚ ኵነታት'ዚ ድማ፣ ነፍሱ መንፈሳዊት ከምዝኾነት ዜረድእ ምልክታት የስተውዕል። "ነፍሲ ዘርኢ-ዘለዓለምነት ምኻና፡ ኣብ ውሽጥና 2500: 1730 1776 1703: 366

[6] ቅ.ኣጐስጢኖስ Conf. 1, 1, 1፡ PL 32, 659-661
[7] ሮሜ 1፡19-20፡ ግ.ሓ 14፡15፡17፡ 17፡27-28፡ ጥበ 13፡1-9 ረአ
[8] ቅ.ኣጐስጢኖስ Sermo 241, 2፡ PL 38, 1134

እንርድኦ እዩ፣ ናብ ደረጃ-ግዙፍ ነገራት ክትወርድ ዘይትኽእል፣ ምንጪ ኣምላኽ ጥራሕ'ዩ ኪኸውን ዚኽእል”[9]።

**34** ዓለም ኮነ ወድሰብ፣ መዝመርታኦምን መወዳእታኦምን ካብ ባዕሎም
199 ከምዘይኮኑ በቲ ህላዌኦም ዚምስክሩዎ እዩ። ኣብ'ቲ ህላዌ ብርእሱ ዝኾነ፡
መዝመርታ ኮነ መወዳእታ ኣብ ዘይብሉ ህላዌኡ ከምዚሳተፉ ይገልጹ። ወድሰብ
እምበኣር ከም'ዚ ኢሉ፣ ብበብዓይነቱ መንገድታት፣ ኹሉ ሰብ “ኣምላኽ” ኪብል
ንዚሰምዮ[10] ናይ ኩሉ ምንጭን መወዳእታን ዝኾነ ህላዌ፣ ናብ ምፍላጡ ኪበጽሕ
ይኽእል።

**35** ወድሰብ ናይ ህላዌ-ኣምላኽ ፍልጠት ከጨብጦ ዚኽእል ዝተፈላለየ
50 ናይ ኣእምሮን ተመራምሮን ዓቕሚ ኣለዎ። እግዚኣብሔር ድማ ንሰብ ኣብቲ
159 ውሽጣዊ ሕይወቱ ከሳትፎ ስለዝደለየ፣ ርእሱ ኪገልጸሉን ነቲ ብእምነት ዝተቐበሎ
ግልጸት ንምቕባል ዜኽእሎ ጸጋ ኪዕድሎን ደለየ። እቲ ህላዌ-ኣምላኽ ዜገንዝብ
መረዳእታታት ግን ንእምነት ከሰናድወናን፣ እምነትን ኣእምሮን ኣብ ወድሰብ
ከምዘይፃረር ንምርዳእ ኪጠቕመና ይርከብ።

## III. ንኣምላኽ ምፍላጥ፡ ብትምህርቲ ቤተክርስትያን

**36** እንካብ ፍጡራት ተበጊስካ፣ እቲ ናይ ኩሉ ነገራት መዝመርታን
355 መወዳእታን ዝኾነ ኣምላኽ፡ ብናይ ሰብ ባሕርያዊ ብርሃን (ኣእምሮ) ኣረጊጽካ
ኪፍለጥ ከምዚከኣል፣ ኣደና ቅድስቲ ቤተክርስትያን እተስተምህሮ እዩ።[11]
ብዘይካ'ዚ ክእለት'ዚ ከኣ፡ ሰብ ነቲ ግልጸት-ኣምላኽ ኪቕበሎ ኣይምኽኣለን።
ወዲሰብ ግና በምሳል-እግዚኣብሔር ስለ ዝተፈጥረ እዚ ክእለትዚ ኣለዎ”።[12]

**37** እንተኾነ፣ ሰብ ኣብ'ዚ ዚርከበሉ ታሪኻዊ ኵነታቱ ወይ ሃለዋቱ
1960 ኮይኑ፣ ንእግዚኣብሔር ብብርሃን-ኣእምሮኡ ጥራሕ ንኺፈልጦ ብዙኅ ጸገማት
ኪጓነፎ ይረአ።

> “ኣእምሮ ወድሰብ በቲ ባሕርያዊ ዓቕሙን ብርሃኑን ተሓጊዙ፡ ኣብቲ ሓቀይናን ርጉጽን ፍልጠት-ኣምላኽ ኪበጽሕ ከምዚኽእል፣ ብኀልዮኡ ብዓለም ከምዚግደስ ከምዘካይዶ እውን፣ከም መጠን ፈጣሪ ከኣ ኣብ ልባትና ባሕርያዊ ሕጊ ከምዝኃተመልና ብንጹር ዚበሃል'ኳ እንተኾነ፣ ኣእምሮ-ሰብ ግን ነቲ ኣብ ባሕሪኡ ዘሎ ክእለቱ፡ ብዚግባእን ኣብ ቀ'ምነገርን ፍረን ከውዕሎ ጸገማት ይጋጠሞ። ከመይሲ፡ እቲ ንእግዚኣብሔር ዚርኢ ሓቅታት፣ ከምኡ ከኣ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ንዘሎ ርክብ ዚርኢ ሓቂ እንካብ

---

[9] ፍሥሓን ተስፋን GS 18 § 1፣ 14 § 2. DS
[10] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh I, 2, 3
[11] ጉባኤ ቫቲካን 1ይ ወልደ-ኣምላኽ Dei Filius 2፡ ደንዚንገር DS 3004፣ 3026፣ ጉባኤ ቫቲካን 2ይ, ቃል-ኣምላኽ DV 6 ረአ
[12] ዘፍ 1፡27 ረአ

*ደረጃ ግዙፍ ነገራት ዝለዓለ እዩ። እዚ ሓቅታት'ዚ ኣብ ግብሪ ኪውዕልን፣ ኣብ ሕይወትና ከኣ ጽልዋኡ ከሕድርን እንከሎ፣ ነዚ ኹሉ ብመንፈሳውነት ብምቕባል ርእስና ክንምንን የድሊ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ኣእምሮ ሰብ በዚ ሓቅታት'ዚ ኪመራመር እንከሎ ካብቲ ድሩት ሕዋሳቱን ሓሳባቱን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኃጢኣት ብሰንኪ ዘስዓቦ ሕማቕ ዝንባሌ'ውን ኣብ ጸገም ይርከብ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ እምበኣር ኣብ ከምዚ ዝበለ ነገራት፡ ሰባት እቲ ሓቂ ኪኸውን ዘይደልይዎ ዘበለ፡ ሓሶት ወይ ዘጠራጥር ገይሮም ብምግማት ብቐሊል ንርእሶም የእምኑ።* [13]

38 ምእንት'ዚ ሰብ በቲ ግልጸት-ኣምላኽ ኪበርህ ግድን ይኸኖ። እዚ ብርሃን'ዚ ከኣ ልዕሊ ዓቕሚ-ኣእምሮኡ ንዝኾነ ነገራት ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብኣእምሮኡ ኪበጽሖ ንዚኽእል *መንፈሳውን ሞራላውን ሓቅታት*'ውን ንምግንዛብ የድልዮ እዩ። እዚ ዝተባህለ ሓቅታት ኣእምሮ-ወድሰብ ብባሕሪኡ ኪበጽሖ ዘይክእል ኣይኮነን፣ ግን እንከ ኣብዚ ህልው ኵነታት ዓሌት-ሰብ፣ እዚ ነገራትዚ ብኹሎም ሰባት ብዘይጸገም እሞ ብርግጽነት፣ ምስ ጌጋ ብዘይምድብላቕ ምእንቲ ኪፍለጥ፡ እቲ ሰማያዊ ብርሃን (ግልጸት) ኣድላዪ ይኸውን። [14] 2036

## IV. ብዛዕባ ኣምላኽ ብኸመይ ንዛረብ?

39 ኣእምሮ-ሰብ ንፍልጠት-እግዚኣብሔር ኪበጽሖ ከምዚኽእል ቤት ክርስትያን እንከተረጋግጽ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ንኹሎም ምስ ኩሎም ምውሳእ ከምዚከኣል'ውን ርግጸይና እያ። ምእንት'ዚ ኸኣ ምስ ካልእ ሃይማኖታት፡ ምስ ፍልስፍናን *ሥነፍልጠትን*፡ ከምኡ'ውን ምስ ዘይኣመንቲ፣ ምስቶም ኣልቦ-እግዚኣብሔር ዚብሉን ንምውሳእ እዚ ርግጽነት'ዚ ይሕግዛ። 851

40 ብዛዕባ እግዚኣብሔር እንፈልጦ ኣዝዩ ድሩት ስለዝኾነ፣ እቲ ኣበሃህላና'ውን (ቋንቋና) ዓቕሙ ድሩት እዩ፤ ብኣምላኽ ክንዛረብ ከሎና ከኣ፡ ካብ ፍጡራት ተበጊስና በቲ ድሩት (ድኹም) ሰብኣዊ ናይ ፍልጠትን ሓሳባትን መደብና እንተዘይኮይኑ ብኻልእ መንገዲ ክንገብሮ ኣይንኽእልን ኢና።

41 ኩሉ ፍጥረት ብመጠኑ ንእግዚኣብሔር ዚመስለሉ ኣለዎ። ብፍላይ ሰብ ብናይ ኣምላኽ ኣርኣያን ኣምሳልን ዝተፈጥረ እዩ። ኣብ ፍጡራት ዚርከብ በብዓይነቱ ሠናይ ነገራት (ሓቂ-ሕያውነት-ጽባቐ) ኣብ እግዚኣብሔር ንዚርከብ መወዳእታ ዘይብሉ ፍጽምና ይገልጽ። ስለዚ ንሕና ኣብዚ ፍጽምና-ፍጡራት ተመርኵስና ብዛዕባ እግዚኣብሔር ክንዛረብ ንኽእል። ከመይሲ በቲ ናይ 213:299

---

[13] **ፐዮስ መበል** 12, Humani Generis, 561፡ **ደንዚንገር** DS 3875.
[14] **ፐዮስ መበል** 12, Humani Generis,561፡ **ደንዚንገር** DS 3876; **ወልደ-ኣምላኽ** Dei Filius 2፡ **ደንዚንገር** DS 3005፣ **ቃል-ኣምላኽ** DV 6; **ቅ.ቶማስ ኣኵናስ**, STh I, 1, 1

ፍጡራት ዕቤትን ጽባቔን ኣቢልካ ናይ ገባሪኦም(ፈጣሪኦም)ኣምሳል ይፍለጥ እዩ።[15]

**42** እግዚኣብሔር ልዕሊ ኩሉ ፍጥረት እዩ። እምበኣርከስ ነቲ ክንገልጾ፡
212: 300 ክንርእዮ፡ ክንጭብጦ ዘይንኽእል፡[16] ኣምላኽ፣ ብሰብኣዊ ኣዘራርባና ምእንቲ
370 ከይነደናግሮ፡ ካብ'ዚ ድሩት፣ ጕደሎ፣ ናይ ፍጡር ኣዘራርባና ናጻ ንኽንከውን ቀጺልና ክንጽዕር የድልየና። ሰብኣዊ ቃላትና ወትሩ ካብ'ቲ ምሥጢር-እግዚኣብሔር ርሑቕ እዩ።

**43** ርግጽ እዩ፤ በዚ ኣገባብዚ ብእግዚኣብሔር እንክንዛረብ፡ ብሰብኣዊ
206 መንገዲ ኢና እንገልጾ። ነቲ መወዳእታ ዘይብሉ ስፍሑ ብዚግባእ ክንገልጾ'ኳ እንተዘይከኣልና፣ ብሓቅስ ንበጽሖ (ንፈልጦ) ኢና። ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ መንጎ ፈጣርን ፍጡርን ዘሎ ቍሩብ ምስስል ንኽንፈልጥ፣ ኣብ መንጎኦም ንዘሎ ዓቢይ ፍልልይ፡[17] ከነስተውዕል የድልየና። ንኣምላኽ ክንፈልጦ እንኽእል ድማ፣ "እዚ ኣይኮነን፣" "ከምቲ ኣይኮነን" እናበልና ደኣ'ምበር፣ "እዚ እዩ" "ከም'ዚ እዩ" እናበልካ ብዚግበር ርግጽነት ኣይኮነን። ከምኡ'ውን ፍጡራት ምስኡ ርክብ ከምዘለዎም ንፈልጥ።[18]

---

## ብሓጺር

**44** ሰብ ብባሕሪኡን ብጸዋዕታኡን ሃይማኖተይና ፍጡር እዩ። እንካብ ኣምላኽ ስለዝኾነ መበቈሉ፣ ናብኡ'ውን ስለዚምለስ፡ ብድልየቱ ርክቡ ምስኡ እንተዘየደልዲሉ፡ ምሉእ ሰብኣዊ ሕይወት የብሉን።

**45** ነኣኡ (ሰብ) ዚበቅዕ ብፅዕና ኣብ እግዚኣብሔር ስለ ዚረኽቦ፣ ሰብ ምስ እግዚኣብሔር ሱታፌ ንኺህልዎ እዩ ተፈጢሩ፤ "ብኩለንትናይ ምሳኻ ምስ ተወሃሃድኩ፡ ሓዘንን ሥቓይን ኣይኪረኽበንን እዩ፤ ሕይወተይ ብኣኻ ዝተመልአ ሓቀይና ሕይወት ኪኸውን እዩ።" (ቅዱስ ኣጎስጢኖስ conf.10: 28,39; PL 795)

**46** ሰብ ንናይ ፍጥረት ምስክርነትን፣ ንድምጺ-ኅሊናኡን ኪሰምዕ እንከሎ፣ ብርግጽነት ናብ ፍልጠት ህላዌ-ኣምላኽ ኪበጽሕ ይኽእል። ንሱ ናይ ኩሉ መዝመርታን መወዳእታን እዩ።

---

[15] ጥበ 13፡5
[16] ሊጡርግያ ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ, Anaphora.
[17] ጉባኤ ላተራን 4ይ፡ ደንዚንገር DS 806.
[18] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ SCG I, 30

47 ፈጣሪናን ጐይታናን ዝኾነ ንውልቁ ኡነተይና ኣምላኽ፣ ብተግባራቱ (ፍጡራት) ኣቢልካ፡ ብባሕርያዊ ብርሃን ሰብኣዊ ኣእምሮ ብርግጽነት ኪፍለጥ ከምዚከኣል ቤተክርስትያን ተስተምህረና። (ጉባኤ ቫቲካን 1ይ ቀኖ.2/1፣ደንዚንገር DS 3026)

48 ኣብ ፍጡራን ዚረአ በብዓይነቱ ጽባቐ፣ ብፍጽምና መወዳእታ ናይ ዘይብሉ ኣምላኽ ኣምሳል እዩ፣ እቲ ኣበሃህላና'ኳ ነቲ ምሥጢሩ ኣጸቢቑ ኪገልጾ ዘይክእል እንተኾነ፣ ካብ ናይ ፍጡራን ፍጽምና ተበጊስና፡ ብዛዕባ ህላዌ-ኣምላኽ ብሓቅነት ክንዛረብ ንኽእል።

49 ፍጡር ብዘይፈጣሪ ከንቱ እዩ (GS 36)፤ ስለዚ እቶም ኣመንቲ ነቶም ዘየኣምኑ፣ ወይ ከኣ ኪኣምኑ ንዘይደልዩ፣ ናይ'ቲ ሕያው ኣምላኽ ብርሃን ከርእይዎም፣ ብፍቕሪ-ክርስቶስ ከም ዚግደዱ ይፈልጡ።

# ምዕራፍ ክልተ

# ኣምላኽ ምስ ሰብ ኪራኸብ ይመጽእ

**50** ኣብ ፍጡራት ተመርኲሱ፡ ሰብ ብባሕርያዊ ኣእምሮኡ፡ ንኣምላኽ
36 ብርግጽነት ኪፈልጦ ይኽእል እዩ፤ ግና ኸኣ፡ ብዘይካ'ዚ ካልእ ዝሥርዓቱ
1066 ፍልጠት'ውን ኣሎ፣ ነዚ ፍልጠት'ዚ ሰብ ብዓቕሚ-ኣእምሮኡ ኪበጽሖ ዘይክእል
እዩ። መለኮታዊ ግልጸት (ተገልጾ) ይበሃል።[1] ናጻ ብዝኾነ (መደቡ) ውሳኔኡ
እግዚኣብሔር ርእሱ ንሰብ ገሊጹን ወፍዩን። ነቲ ምሥጢሩ ከኣ ጋህዲ ገበሮ።
እንካብ ዘለዓለም ኣትሒዙ፡ ንጠቕሚ ኩሎም ሰባት ኢሉ ብክርስቶስ ንዝወሰኖ
መደብ ሥምረቱ ገሊጽዎ። ንፍቁር ወዱ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ንመንፈስ
ቅዱስን ብምልኣኹ፡ ነቲ መደቡ ብምልኣት ኣግሂድዎ።

## ኣንቀጽ 1
## ግልጸት እግዚኣብሔር

### I. እግዚኣብሔር ን"መደብ ሥምረቱ" ገሊጽዎ

**51** ብሕያውነቱን ጥበቡን፡ ርእሱን ምሥጢር-ድላዩን ኪገልጽ ሥምረት-
2823 እግዚኣብሔር ኮነ። ምእንት'ዚ በቲ ሥጋ ዝለበሰ ክርስቶስ፣ ኣብ መንፈስ ቅዱስ
1996 ሰባት ናብ ኣቦ ኪቐርቡን፡ ኣብ መለኮታዊ ሕይወቱ ተሳተፍቲ ንምዃን ኪኽእሉን
ፍቓድ ኣምላኽ እዩ።[2]

**52** ሰብ "ኪቐርቦ ኣብ ዘይከኣሎ ብርሃናት ዚቕመጥ" ኣምላኽ፣ ብድላዩ
ንዝፈጠሮ ሰብ፡ ኣብ'ቲ መለኮታዊ ሕይወቱ ከሳትፎ ይደሊ፣ በቲ ኡንኮ ወዱ
ኣቢሉ ከኣ ርስቲ-ውሉድ ኪህቦ ፍቓዱ ኮነ።[3] እግዚኣብሔር እምበኣር ርእሱ
ንሰብ ብምግላጽ፣ ሰብ'ውን ብወገኑ፡ ኪምልሸሉ ዚኽእል፣ ልዕል'ቲ ባሕርያዊ
ዓቕሙ ኣጸቢቑ ኪፈልጦን ኪፈትዎን ዚኽእል ኪገብሮ ደለየ።

**53** መደብ መለኮታዊ ግልጸት ኣብ ሓደ እዋን ማዕረ ማዕረ "ብተግባርን
1953: 1950 ብቓልን" ተፈጺሙ። ተግባርን ቓልን ኣጸቢቑ ዝተኣሳሰረን[4]፣ ነንሓድሕዱ
ንምብርራህ ዚተሓጋገዝን እዩ። መደብ ኣምላኽ፡ ሓደ ፍሉይ ዝኾነ "መለኮታዊ

---

[1] *ወልደ-ኣምላኽ* Dei Filius *ደንዚንገር* DS 3015 *ረአ*
[2] *ቃል-ኣምላኽ* DV 2፣ *ኤፌ*.1:9፣ 2:18፣ 2 *ጴጥ* 1:4 *ረአ*
[3] 1ጢሞ 6:16፣ *ኤፌ*1:4-5 *ረአ*
[4] *ቃል-ኣምላኽ* DV 2

ብልኃት” ኣለዎ፡- ደረጃ ብደረጃ እግዚኣብሔር ንሰብ ሓሳባቱ ይገልጸሉ፡ የሳትፎ፤ በብስጒሚ ከኣ ነቲ ምእንትኡ ዚገብሮ መልዕልተ ባሕርያዊ ግልጸት ንኺቕበል የሰናድዎ። እዚ ግልጸት'ዚ ኣብቲ ሥጋ ዝለበሰ ቃሉ፣ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ይፍጸም።

> ቅዱስ ኢረነዩስ በዓል ልዮን፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ፡ ናይ ሓድሕዳዊ ርክብን ምቅርራብን ኣምሳል ተጠቒሙ፣ በዚ መለኮታዊ ብልኃት ደጋጊሙ ይዛረብ። ሰብ ንእግዚኣብሔር ምፍላጥ ምእንቲ ኪለማመድ፣ ኣምላኽ ኸኣ ኣብ ሰብ ንኪሓድር ምእንቲ ኪለማመድን ከምቲ ፍታው ኣቦኡ ቃል-ኣምላኽ (ክርስቶስ) ኣብ መንጎ ሰብ ሓደረ፣ ወዲሰብ'ውን ኰነ።[5]

## II. ደረጃታት ግልጸት

### እንካብ ፈለማ እግዚኣብሔር ነኣኡ ከምዚፈልጥዎ ገበረ

54 “ብቓሉ (ክርስቶስ) ገቢሩ ንዓለም ዝፈጠሮን፣ ዚዓቕሮን ዘሎ እግዚኣ 32
ብሔር፣ ብፍጡራት ገቢሩ፣ ናይ ርእሱ ዘየቋርጽ ምስክርነት ንሰብ ሂቡዎ። 374
ብዘይካ'ዚ ከኣ፡ መንገዲ ሰማያዊ ድኅነት ኪሕብረሉ ስለዝደለየ፣ እንካብ ጥንቲ
ኣትሒዙ ንቐዳሞት ወለድና ተገልጸሎም”፤[6] ናይ ጸጋን ጽድቅን (ሓቅን) ብርሃን
ኣልቢሱ፣ ምስኡ ዓሚቕ ውሽጣዊ ተሳትፎ ንኪህልዎም ጸወየም።

55 እዚ ግልጸት'ዚ ብሰንኪ ኃጢኣት-ቀዳሞት ወለድና ኣይተቛረጸን። እኳ 397: 410
ደኣ ድኅሪ ውድቀቶም፣ ነቲ መድኃኒ ንከማዕድዉ ኣምላኽ ተስፋ-ድኅነት
ኣለዓዓለሎም። ብዛዕባ ዓሌት-ሰብ ዘለዎ ኀልዮኡ ከይቋረጽ ተገደሰ። ከም'ዚ ዝገበረ
ከኣ፡ ብጽንዓት ግብረ-ጽድቂ እናፈጸሙ ድኅነቱ ንዚደልዩ ኩሎም ዘለዓለማዊ
ሕይወት ኪህቦም ስለዝደለየ እዩ።[7]

> “ሰብ ብዘይምትእዛዙ፡ ነቲ ምሳኻ ዝተኸሎ ዕርክነት ምስ ኣጥፈአ፣ ንስኻ ኣብ 761
> ትሕቲ ሥልጣን-ሞት ኣይገደፍካዮን.....ብዙኅ ግዜ ንወድሰብ ኪዳንካ
> ኣወፈኻሉ”[8]።

### ምስ ኖኅ ኪዳን ተኸለ

56 ሓድነት-ዓሌትሰብ ብሰንኪ ኃጢኣት ምስፈረሰ በብደረጃኡ ብዝተገብረ 401
ስጒሚ፡ ቅድሚ ኹሉ እግዚኣብሔር ንሰብ ከድኅኖ ተረኸበ። እቲ ድኅሪ 1219
ማይኣይኂ ምስ ኖኅ ዝተኣትወ ኪዳን[9]፣ እግዚኣብሔር ንኣሕዛብ ናይ ዝኣመሞ

---

[5] ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres. 3, 20, 2፡ PG7/1, 944; cf. 3, 17, 1; 4, 12, 4; 4, 21, 3.
[6] ቃል-ኣምላኽ DV 3፣ ዮሓ 1:3፣ ሮሜ1:19-20 ረአ
[7] ቃል-ኣምላኽ DV 3፣ ዘፍ 3:15፣ ሮሜ 2:6-7 ረአ
[8] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ Eucharistic Prayer IV, 118
[9] ዘፍ10:5፣ 9:9-10፣ 16፣10:20-31 ረአ

መደብ-ድኅነት መዠመርታኡ ይገልጽ። ማለት ሰባት በብዓሌቶም ተኣኪቦም ነፍስወከፍ፡ ከከም ቋንቋኡን ቤቱን፡ ኣብ ዓዓዱ ንዚረኽቦ ድኅነት ይገልጽ።[10]

**57** እዚ ናይ ሃገራት ወይ ሕዝብታት ኣመዳድባ፣ ንኹሉ ፍጡር ዘጠቓልል (Cosmic) ማኅበረሰባውን ሃይማኖታውን መልክዕ ዝሓዘ እዩ። ዕላማኡ ከኣ እቲ ብኃጢኣት ዝወደቐ በቲ ቀጥዒ ዘይብሉ ኣንነቱ፣ ባዕሉ ንሓድነቱ ከምቲ ናይ ባቤል ገቢሩ ኪሓንጽ ንዚለዓዓል ዓሌትሰብ ትዕቢቱ ንምድራት እዩ። ግና ብሰንኪ ኃጢኣትን፡ ብዝሒ ኣማልኽትን፣ ኣምልኾ ሃገርነትን መራሕትን፣ ምስቲ ቀጥዒ ዘይብሉ ኣረምነት ነዚ መደብ-ድኅነት ቀጻሊ ዕንቅፋት ገጢምዎ ኣሎ።

**58** ምስ ኖኅ ዝተኣተወ ኪዳን፡ ክሳብ ግዜ ኣሕዛብን፣ ወንጌል ኣብ ኩሉ
674 ቦታ ክሳብ ዚስበኽን ጸኒዑ ጸንሐ።[11] እንካብ ኣሕዛብ'ውን ንገሊኣቶም ዓበይቲ
2569 ሰባት፣ ቅዱስ መጽሓፍ የኽብሮም እዩ። እዚኣቶም ከም እኒ ኣቤል ጻድቕ፣ ንጉሥን ካህንን ዝተባህለ መልከ-ጼዴቅ ኣምሳል-ክርስቶስ[12] ካልኦት ጻድቃንን፡ ኖኅ ዳንኤል እዮብ እያቶም።[13] "ተበታቲኖም ንዝነበሩ፡ ኣብ ወጻኢ (ሃገራት) ፋሕ ንዝበሉ ውሉድ-ኣምላኽ" ኽርስቶስ መጺኡ ንኺእክቦም ብተስፋ እናተጸበዩ፡[14] ንኪዳን-ኖኅ ተኸቲሎም እናነበሩ፣ ኣብ ከመይ ዝበለ ልዑል መዓርግ ጽድቂ ኪበጽሑ ከምዝኽኣሉ ቅዱስ መጽሓፍ የረድእ።[15]

## እግዚኣብሔር ነብርሃም ሓረዮ

**59** ነቶም ኵሎም ተበታቲኖም ዝነበሩ ንኺእክቦም ኢሉ እግዚኣብሔር
145, 2570 ነብርሃም ሓረዮ፤ ኣቦ ብዙኃት ኣሕዛብ ምእንቲ ኪገብሮ ከኣ፣ ካብ ዓዱ፡ ካብ ኣዝማዱ፡ ካብ ቤት-ኣቦኡ ጸወዖ፤[16] "ኵሎም ኣሕዛብ-ምድሪ በኣኻ ኪባረኹ እዮም" በሎ።[17]

**60** እቲ እንካብ ኣብርሃም ዝተወልደ ሕዝቢ፣ ነቲ ንኣበው ዝተዋህበ
760 ተስፋ ተቐቢሉ ዚዕቅብ እዩ። እግዚኣብሔር ንኵሎም ደቁ[18] ኣብ ሓድነት-
762; 781 ቤተክርስትያን ንዚእክበላ መዓልቲ ንከሰናዱ ዝተጸወዐ፣ እዚ ኅሩይ ሕዝብ'ዚ እዩ።[19] ኣረማውያን ኣሕዛብ ብዝኣመኑሉ ወቕቲ ኣብኡ ተሰኵዮም ዚጫልዱሉ ሠራውር ወይ ጕንዲ ኪኸውን ዝተመደበ ሕዝቢ እዩ።

---

[10] ግ.ሓ 17:26-27፣ ዘዳ 4:19፣ ዘዳ (LXX) 32:8 ረአ
[11] ጥበ 10:5፣ ዘፍ 11:4-6 ረአ
[12] ሮሜ1:18-25ረአ
[13] ዘፍ 9:16፣ ሉቃ 21:24፣ ቃል-ኣምላኽ DV 3 ረአ
[14] ዘፍ14:18፣ ዕብ 7:3፣ ሕዝ 14:14 ረአ
[15] ዮሓ11:52
[16] ዘፍ 12:1
[17] ዘፍ 17:5፣ 12:3 (LXX); ገላ 3:8 ረአ
[18] ሮሜ 11:28፣ ዮሓ 11:52፣ 10:16 ረአ
[19] ሮሜ 11:17-18፣ 24 ረአ

**61** ኣበውን ነቢያትን፣ ከምኡ'ውን ገሊኣቶም ናይ ዘመነ ብሉይኪዳን
ዓበይቲ ሰባትን፣ ኣብ ኩሉ ናይ ቤተክርስትያን ግብረ-ኣምልኾኣዊ (ሊጡርግያ)
ትውፊት ከቢሮም፣ ንወትሩ'ውን ኪኽብሩ እዮም።

## እግዚኣብሔር ንእስራኤል መጠን ሕዝቡ ኣዕበዮ

**62** “ኣበው” ምስ ሓለፉ፣ እግዚኣብሔር ንእስራኤል እንካብ ባርነት-ግብጺ 2060: 2574
ኣናጊፉ፣ ሕዝቡ ገበሮ። እቲ ሕያውን ሓቀይናን ኣምላኽ፡ ኣቦ፡ ሓላይን ርቱዕን 1961
ፈራዲ ንሱ ጥራሕ ከምዝኾነ ፈሊጡ ምእንቲ ከገልግሎን፣ ነቲ ዝተተስፈወ
መድኃኒት ከኣ ኪጽበዮን፣ ኣብ ደብረሲና ምስኡ ኪዳን ኣተወ፣ ብሙሴ ገቢሩ
ከኣ ሕጉ ሃቦ።[20]

**63** ሕዝቢ እስራኤል፡ “ብስም እግዚኣብሔር ዝተሰምየ” ክህነታዊ ሕዝቢ- 204: 2801
ኣምላኽን፣ “ንፈለማ ቃል-ኣምላኽ ዝሰምዐን”[21] ብእምነት-ኣብርሃም ድማ “ዓበይቲ 839
ኣኅዋት” ዝተባህለሉ ሕዝብን እዩ።

**64** ተስፉ-ድኅነት ተኸቲሉ ዚጐዓዝን፣ ነቲ ሓዲስን ዘለዓለማውን ኪዳን 711
ዚጽበን ገቢሩ እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ብነቢያት ኣሰናደዎ። እቲ ኪዳን'ቲ 1965
ንኹሎም ሰባት ዚኸውንን፡ ኣብ ልባቶም ዚጸሓፍን እዩ።[22] ሕዝቢ-እግዚኣብሔር 489
መሠረታዊ ድኅነት ንኪጭብጥ፡ እንካብ ኩሉ ጥልመታቱ ኪነጽሕ ከምዘለዎ፡
ነቢያት ደጋጊሞም ነገሩ፤ ድኅነት ከኣ ንኹሎም ኣሕዛብ ከምዝኾነ ኣበሠሩ።[23]
ቅድሚ ኹሉ ነዚ ተስፋዚ ዚቕበሉ፣ እቶም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ድኻታትን
ትሑታትን ኮይኖም ዚርከቡ እዮም። ከም እኒ ሣራ፡ ርብቃ፡ራሔል፡ ሚርያም፡
ዲቦራህ፡ ሓና፡ ዮዲት፡ ኣስቴር ዝበላ ቅዱሳት ኣንስቲ፣ ብናይ ድኅነት-እስራኤል
ምሉእ ተስፋ ተነቓቒሔን ተረኽባ። ኣብ መንጎ እዚኣተን ኵለን፡ እታ ኣዝያ
እተንፀባርቕ (ድንግል) ማርያም እያ።[24]

---

[20] *ቃል-ኣምላኽ* DV 3 *ረአ*
[21] *ዘዳ* 28፡10፣ *ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ* Good Friday, General Intercession VI; see also Ex 19፡6.
[22] *ኢሳ* 2፡2-4፣ *ኤር* 31፡31-34፣ *ዕብ* 10፡16 *ረአ*
[23] *ሕዝ* 36፣ *ኢሳ* 49፡5-6፣ 53፡11 *ረአ*
[24] *ሰፎ* 2፡3፣ *ሉቃ* 1፡38 *ረአ*

# III. ናይ ኩሉ ግልጸት መንጎይናን ምልኣትን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ

## እግዚኣብሔር በቲ ቃሉ(ወልድ) ኩሉ ነጊሩ፤

**65** “ብዙሳ ግዜን ብብዙሳ መንገድን፣ ብነቢያት ገቢሩ፦ ኣምላኽ ቀደም
102 ነቦታትና ተዛሪቡዎም ነበረ። ኣብ'ዘን ዳሕረዎት መዓልታት ግና፡ ብወዱ ገቢሩ
ተዛሪቡና”[25]፣ እቲ ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ ወልደ-እግዚኣብሔር ናይ ኣቦኡ፡ ሓደ
ፍጹም፡ ዝለዓለ ቃሉ እዩ። እግዚኣብሔር በኣኡ ገቢሩ ኩሉ ተዛሪቡ፡ ብዘይካኡ
ካልእ ዘረባ ኪህሉ ኣይክእልን፡[26] ኣሰር-ብዙኃት ተኸቲሉ፣ ቅዱስ ዮሓንስ ዘመስቀል
ነዚ ናይ መልእኽቲ ዕብራውያን (1.1-12) ቃል እንኪትንትን፡ ብብሩህ መንገዲ
ይገልጾ፦

> 516 2717 እቲ ኡንኮን ናይ መወዳእታን ዝኾነ ቃሉ፡ ወዱ ነኣና ምስሃበና፣ በዚ ቓልዚ ብሓደ ግዜ ኩሉ ነጊሩና፣ ከመይሲ እቲ ቀደም ብነቢያት ኣቢሉ ገሊኡ ዝነገረና ሕጂ፡ ብወዱ ኩሉ ገሊጹልና። ወዱ ብምሃቡ ኩሉ ሂቡና። ስለዚ ካብ እግዚኣብሔር ራእይ ወይ ግልጸት ኪረክብ ዚልምን እንተ'ሎ፣ እዚ ዕሽነት የርኢ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ንኣምላኽ ይብድሎ እዩ ዘሎ። ከመይ ሓሳቡ ናብ ክርስቶስ ክንዲዘብል ናብ ካልእን ሓዲስ ዚመስልን ነገራት ዚዝንብል ስለዝኾነ እዩ።[27]

## ካልእ ግልጸት ኣይኪህሉን እዩ

**66** ክርስትያናዊ መደብ፣ ሓዲስን እቲ ዝለዓለን ናይ መወዳእታን ኪዳን
94 ብምዃኑ ነባሪ ኮይኑ ይግመት፣ ስለ'ዚ ኣይኪሓልፍን እዩ፤ ጐይታና ኢየሱስ
ክርስቶስ፡ ብኽብሪ ቅድሚ ምግላጹ ከኣ፡ ካልእ ሓዲስ ወግዓዊ ግልጸት ኣይኪህሉን
እዩ[28]። ግልጸት ኣብ ፍጻሜ በጺሑ'ኳ እንተኾነ፣ ብምሉኡ ጋና ግሉጽ (ቅሉዕ)
ኣይኮነን። ምስ ብዝሒ ዘመናት በብቑሩብ ንምልኣት-ትርጓሜኡ ምርዳእ ናይ
እምነት-ክርስትና እጃም እዩ።

**67** ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ብሕታዊ ወይ “ውልቃዊ” ዝተባህለ ገለ
84 ግልጸታት ነይሩ እዩ፤ እንካብ'ዚ ገሊኡ፡ ቤተክርስትያን በቲ ዘለዋ ሥልጣን
93 ተቐቢላቶ። እንተኾነ እዚታት ናይ መዝገበ-እምነት ክፍሊ ኣይኮነን። ዕላማኡ

---

[25] ቃል-ኣምላኽ DV 2

[26] ዕብ 1:1-2

[27] ቅ.ዮሓንስ ዘመስቀል The Ascent of Mount Carmel, 2, 22, 3-5, in The Collected Works, tr. K. Kavanaugh, OCD, and O. Rodriguez, OCD (Washington DC፡ Institute of Carmelite Studies, 1979), 179-180፡ LH, OR Advent, wk 2, Mon.

[28] ቃል-ኣምላኽ DV 4; 1ጢሞ 6፡14፣ ቲቶ 2፡13 ረኣ

ከኣ ነቲ ብኽርስቶስ ንመወዳእታ ዚግበር ግልጸት ንከመሓይሽ ወይ ንኺእርም ዘይኮነስ፣ ኣብ ዝተወሰነ ታሪኻዊ ሃለዋት ንእምነትካ ብምልኣት ንኽትነብሮ ዘተባብዕ ሓገዝ ንምሃብ እዩ። ካብዚ ኩሉ ግልጸታት'ዚ እቲ ናብ ቤተክርስትያን ዚቐርብ ብቑዕን ቅኑዕን፡ ናይ ክርስቶስ ወይ ናይ ቅዱሳኑ ጻውዒት ኣየናይ ምዃኑ ፈሊኻ ንምፍላጥን ምልላይን እምበኣር፣ እቲ "ልባዌ ምእመናን" (Sensus fidelium) ብትምህርቲ ቤተክርስትያን በሪሁን ተመሪሑን ዚፍጽሞ ተግባር እዩ። ንናይ ክርስቶስ ምልኣት ግልጸት ኪበልጾ ወይ ከመሓይሾ ንዚደሊ "ግልጸታት" እምነት ክርስትና ፈጺሙ ኪቕበሎ ኣይክእልን እዩ። ከምዚ ዝበለ ግልጸታት ኣብ ገሊኡ ዘይክርስትናዊ እምነታት፡ ወይ ከኣ ክርስትና ዘይኮነ፡ ግና ካብኡ ገለ ዚወስድ ክርስትና-መሰል ምንቅስቓሳት እንኪርከብ፣ ብርእሱ እቲ እምነት ኣብቲ "ግልጸታት" ዝተመሥረተ እዩ።

## ብሓጺር

68 ኣምላኽ ብፍቕሪ ተደሪኹ፡ ንሰብ ርእሱ ገለጸሉን ወፈየሉን። ምእንትዚ ከኣ ወድሰብ ብዛዕባ ናይ ሕይወቱ ትርጉምን ዕላማን ንዘቕርቦ ሕቶታት፣ እግዚኣብሔር ምሉእን ውዱእን ምላሽ ይህበሉ።

69 ብተግባርን ብቓልን በብቑሩብ፡ምሥጢሩ እናሳተፈ እግዚኣብሔር ንሰብ ተገሊጹሉ።

70 ብዘይካ ብፍጥረቱ ገቢሩ ዝሃቦ ናቱ ምስክር፣ እግዚኣብሔር ንቀዳሞት ወለዲ'ውን ተገሊጹሎምን ተዛሪቡዎምን እዩ። ድሕሪ ውድቀቶም ከኣ ተስፋ-ድኅነት ሂቡዎም። (ዘፍጥ.3፡15) ኪዳን ከኣ ኣትዩሎም።

71 እግዚኣብሔር ምስ ኖኅን፡ ምስ ኩሎም ሕያዋንን (ሕይወት ዘለዎም) ዘለዓለማዊ ኪዳን ኣትዩ (ዘፍጥ.9፡16)። እዚ ኪዳን'ዚ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ኪጸንሕ እዩ።

72 እግዚኣብሔር ነብርሃም ሓርዩዎ፣ ምስኡን ምስ ወለዶኡን ኪዳን ኣትዩ፣ ሕዝቡ ንኪኸውን በዚ ኪዳን'ዚ ሠሪዑዎ፣ ብሙሴ ገቢሩ ከኣ ሕጉ ገለጸሉ። ንኹሉ ሰብ ንዚኸውን ድኅነት ምእንቲ ኪቕበል ብነቢያት ኣሰናደዎ።

73 ነቲ ዘለዓለማዊ ኪዳን በኣኡ ገቢሩ ኪተክል ዝመደበሉ ወዱ ብምልኣኽ፡ እግዚኣብሔር-ኣቦ ብምልኣት ተገሊጹ። ስለ'ዚ ወልድ ናይ ኣቦ ናይ መወዳእታ ቃሉ እዩ። ምእንት'ዚ ድሕሪኡ ኪመጽእ ዘለዎ ካልእ ግልጸት የልቦን።

# ኣንቀጽ 2
# ምትሕልላፍ መለኮታዊ ግልጸት

74 ኵሎም ሰባት ኪድኅኑን ንጽድቂ-ሓቂ ኣብ ምፍላጥ ኪበጽሑን ድላይ
851 እግዚኣብሔር እዩ፡[29] ማለት ናብ ፍልጠት-ኢየሱስ ክርስቶስ ኪበጽሑ[30]። ምእንት'ዚ እዚ ግልጸት'ዚ ክሳብ ጫፍ-ዓለም ምእንቲ ኪበጽሕ ክርስቶስ ኣብ ኵሎም ሕዝብታትን ውልቀሰባትን ኪስበኽ ኣለዎ።

> እግዚኣብሔር በቲ ልዑል ሕያውነቱ፣ እቲ ባዕሉ ንድሕነት ኣሕዛብ ኢሉ ሓንሳብ ዝገለጾ ነገራት ንዘለዓለም ብምልኣት ንኺነብርን፡ ናብ ኩሉ ወለዶ ንኺመሓላለፍን ብጸጋኡ መዲቡዎ እዩ።[31]

## I. ሓዋርያዊ ትውፊት

75 ናይ ልዑል ኣምላኽና ምልኣት-ግልጸት ዝተፈጸመሉ ጐይታና ኢየሱስ
171 ክርስቶስ፣ ኣቐዲሙ ብነቢያት ንዝተተስፈወ፣ (ኢየሱስ) ብኣካሉን ብቓሉን ንዝኣወጆ ወንጌል ንኹሉ ሰብ ኪሰብኩ ንሓዋርያት ኣዘዞም። ወንጌል ብምስባኽ ድማ፡ (ሓዋርያት) ንኹሎም ደቅሰባት ህያባት-ኣምላኽ ከሳትፍዎም ብማለት እዩ። እዚ ወንጌል'ዚ ከኣ እዩ ናይ ኩሉ ሓቅታትን ሞራላዊ መምርሕታትን መሠረት ኪኸውን ዘለዎ።[32]

76 ከም ትእዛዝ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ወንጌል ብኽልተ መንገዲ ኪመሓላለፍ ተረኺበ፦

- *ብቓል፦* ነቲ ካብ ኣፍ-ክርስቶስ፡ ካብ ሕይወቱ ድዩ ወይስ ተግባራቱ፣ ወይ ካብ ሕሹኽታ መንፈስ ቅዱስ ዝተማህሩዎ ዝተቐበሉዎ ኩሉ፣ብናይ ቃል ትምህርቶምን ስብከቶምን ይህብዎ ብዝነበሩ ኣብነቶምን፣ ብዝተኸልዎ ሥርዓታቶምን ሓዋርያት ከመሓላልፉዎ ተረኽቡ።[33]

- *ጽሑፍ፦* ሓዋርያት ባዕላቶምን፣ ካልኦት መሳርሕቶምን እቲ ኡንኮ መንፈስ ቅዱስ ብዘስተንፈሰሎም ነቲ መልእኽቲ ድኅነት ኣብ ጽሑፍ ከስፍርዎ ከኣሉ።[34]

---

[29] 1ጢሞ 2፡4
[30] ዮሓ 14፡6 ረአ
[31] ቃል-ኣምላኽ DV 7 ፣ 2ቆሮ 1፡20፣ 3፡16-4፡6 ረአ
[32] ቃል-ኣምላኽ DV 7፣ ማቴ 28፡19-20፣ ማር 16፡15 ረአ
[33] ቃል-ኣምላኽ DV 7
[34] ቃል-ኣምላኽ DV 7

## ....ስብከት ሓዋርያት ብተኸተልቶም ቀጺሉ

**77** ምሉእን ሕያውን ወንጌል ኣብ ቤተክርስትያን ተዓቂቡ ምእንቲ 861
ኪነብር፣ ሓዋርያት ንኣቡናት መጠን ተካእቶም ሓርዮም መዘዙዎም። ናይ ምስትምሃር መዝነት ኣረከቡዎም።[35] ብሓቂ'ውን እቲ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ብፍሉይ ኣገባብ ተገሊጹ ዘሎ ስብከት-ሓዋርያት ክሳብ መወዳእታ ዓለም ብዘየቋርጽ ቀጻልነት ኪዕቀብ ዚግበኦ እዩ።[36]

**78** እዚ ብስራሕ መንፈስ ቅዱስ ዝተፈጸመ፡ ሕያው ዝኾነ ምትሕልላፍ 174
"ትውፊት" (ኣወፈየ=ኣቐበለ) ተባሂሉ ይስመ። ንሱ ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ፍልይ 1124: 2651
ዝበለ'ኳ እንተኾነ ብቐረባ ምስኡ ዚራኸብ እዩ። "ቤተክርስትያን እምበኣር፣ ኣብ ትምህርቲ-እምነታ ኣብ ሕይወታ፣ ኣብ ናይ ኣምልኾ ሥርዓታታ፣ እቲ ኹሉ ሃለዋታን እምነታን ናብ ኩሎም ወለዶታት እተመሓላልፎ በዚ ትውፊት'ዚ እያ።[37]" ኣብቲ ናይ ቤተክርስትያን ግብራዊ ሕይወታን እምነታን ጸሎታታን ከመይ ዝበለ ሃብታት ከምዜፍስስ ኣግሂዶም ብምርግጋጽ፣ ናይዚ ትውፊት'ዚ ሕያውን መሕየውን ንዝኾነ ህልውናኡ ኣበው ብጽሑፋቶም ከረጋግጽዎ ይርከቡ"።[38]

**79** እግዚኣብሔር ኣቦ፣ ብቃሉን ብመንፈስ ቅዱስን ገቢሩ፡ ብዛዕባ ርእሱ ኪገልጽ (ከሳተፍ) ከሎ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ህልውን ወትሩ ዚሰርሕን ኮይኑ ይርከብ። "እቲ ቀደም ዝተዛረበ ኣምላኽ፣ ምስታ ናይ ፍቁር ወዱ መርዓት ምውሳኡ ቀጺሉ። እቲ ወሃብ-ሕይወት ዝኾነ ቃል-ወንጌል ኣብ ቤተክርስትያን ዘቃልሕ ብመንፈስ ቅዱስ እዩ። ብቤተክርስትያን ኣቢሉ ከኣ ኣብ ዓለም ከቃልሕ ይርከብ። እዚ መንፈስ ቅዱስ እምበኣር፡ ንኣመንቲ ናብ ምልኣት-ሓቂ ይመርሖም፣ ንቃል-ክርስቶስ ድማ ምስቲ ኩሉ ሃብታቱ ኣብኦም ከምዚሓድር ይገብሮ"።[39]

# II. ርክብ ቅዱስ መጽሓፍን ትውፊትን

## ኡንኮ ሓባራዊ ምንጪ....

**80** ቅዱስ ትውፊትን፡ ቅዱስ መጽሓፍን፡ እምበኣር ብቐረባ ዝተኣሳሰሩን፣ ብሓድሕዳዊ ርክብ ዝተጣመሩን እዮም። ክልቲኦም ካብ ሓደ መለኮታዊ ምንጪ ስለ ዝፈልፈሉ፣ ሓድነት የቐውሙ፣ ናብቲ ሓደ ዕላማ ገጾም'ውን የምርሑ ኪበሃል

---

[35] ቃል-ኣምላኽ DV 7 § 2; ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres.3, 3,1፡ PG 7,848; Harvey,2,9.
[36] ቃል-ኣምላኽ DV 8 § 1
[37] ቃል-ኣምላኽ DV 8 § 1
[38] ቃል-ኣምላኽ DV 8 § 3
[39] ቃል-ኣምላኽ DV 8 § 3; Col 3፡16 ረአ

ይከኣል።”[40] ነፍስወከፎም ከኣ፤ “ክሳብ መወዳእታ ዓለም” ምስ ተኸተልቱ ንኺህሉ ቃል ንዝኣተወ ክርስቶስን ምሥጢረ-ህላዌኡን፣ ኣብ ቤተክርስትያን ከምዚነብርን ከምዜፍርን ይገብሩ።[41]

## ....ክልተ ዓይነት ምትሕልላፍ

**81** “ቅዱስ መጽሓፍ፣ ብኣስተንፍሶ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ቃል-ኣምላኽ እዩ።”[42]

“እቲ (ቅዱስ) ትውፊት፡ እምበኣር ነቲ ብኽርስቶስ ጐይታን ብመንፈስ
113 ቅዱስን ንሓዋርያት ሕድሪ ዝተዋህበ ቃል-ኣምላኽ ብምልኣት ከምዚመሓላለፍ
ይገብሮ። ቀጺሉ'ውን ብመንፈስ-ሓቂ በሪሆም፡ ብተኣማንነት ምእንቲ ኪዕቅብዎን፣
ብስብከቶም ምእንቲ ኪትንትንዎን፡ ናብ ኵሉ ሃገራት ምእንቲ ኪዝርግሑዎን
ከኣ፣ ንቓል-ኣምላኽ ናብ ተኸተልቲ ሓዋርያት የመሓላልፎ።[43]

**82** ምእንትዚ፣ እታ ንግልጸት (ኣምላኽ) ናይ ምትሕልላፍን ምትርጓምን (ምትንታንን) መዝነት ዝተቐበለት ቤተክርስትያን “ብዛዕባ'ቲ ኹሉ ዝተገልጸ ሓቅታት ንምርግጋጽ ናብቲ ቅዱስ ጽሑፋት ጥራሕ ኣይኮነትን እትጥምት። ክልቲኡ ማለት፡ ጽሑፋትን ትውፊትን ከኣ፡ ማዕረ ብዝኾነ ክብርን ፍቕርን ተቐባልነት ኪረክብ ይግበኦ።[44]

## ...ሓዋርያዊ ትውፊትን፣ናይ ቤተክርስትያን ትውፊታትን

**83** ኣብዚ ዚዝረበሉ ዘሎ ትውፊት፡ እቲ ካብ ሓዋርያት ዝተረኽበ ኮይኑ፣ ብወገኖም ነቲ ካብ ናይ ኢየሱስ ትምህርቱን ኣብነቱን ዝተቐበልዎን፡ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝተማህሩዎን ኩሉ፡ ናብ ካልኣት ዘመሓላለፍዎን እዩ። እቶም ቀዳሞት ወለዶ-ክርስትያን ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ሓዲስ ኪዳን ጋና ኣይነበሮምን፣ ስለ'ዚ ኸኣ ሓዲስ ኪዳን ብርእሱ፡ ናይዚ ሕያው ዝኾነ ትውፊት ምስክር እዩ።

ትውፊት ኪበሃል ከሎ ግን፣ ብንውሒ ግዜ ኣበየ ቦታኡ ዝነበራ ኣብያተ
1202 ክርስትያናት ምስ ዝበቘለን ዝማዕበለን ንትምህርተ-መለኮት፣ መንፈሳውነት፣
2041 ሥርዓተ-ኣምልኾን ንሕግን ሥርዓታትን ምስ ዚርኢ ዝተፈላለየ ትውፊታት
2684 ኪደባለቕ የብሉን። እዚ ኩሉ፣ እቲ ክቡርን ዓቢይን ትውፊት ዚግለጸሉ፣
ንዝተፈላለየ ቦታን ግዜን ዚሰማማዕ ፍሉይ መልክዓትን መስርዓትን ጥራሕ እዩ።
ወትሩ ከኣ ብመንፅር'ታ ዓባይ ትውፊት እዘን ትውፊታት'ዚኣተን ኪዕቀባ፣ ብናይ

---

[40] ቃል-ኣምላኽ DV 9
[41] ማቴ 28:20
[42] ቃል-ኣምላኽ DV 9
[43] ቃል-ኣምላኽ DV 9
[44] ቃል-ኣምላኽ DV 9

ቤተክርስትያን ሥልጣነ ትምህርትን መምርሕታትን ከኣ፡ ኪመሓየሽ ኪሕደሳ፣ እንተድለየ'ውን ከልግሳ ይኽእላ።

# III. ትርጓሜ መዝገበ እምነት

## መዝገበ-እምነት ንመላእ ቤተክርስትያን ሕድሪ ተዋህበ

**84** እቲ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍን ቅዱስ ትውፊትን ዝተዓቀበ ናይ እምነት "ቅዱስ መዝገብ" ንቤተክርስትያን ብምልእታ፡ ሓዋርያት ሕድሪ ሂቦምዎ እዮም።[45] 857 871 2033
መላእ ቅዱስ ሕዝቢ (እግዚኣብሔር) ምስ ጓሶቱ (መራሕቱ) ተወሃሂዱ፡ ነዚ መዝገበ-እምነት'ዚ ብምዕቃብ፣ ንትምህርቲ-ሓዋርያት ወትሩ እሙን ኮይኑ፣ ኅውነቱን፣ ኣብ ምቍራስ እንጌራን ኣብ ጸሎትን ዘለዎ ተሳታፍነቱን የረጋግጽ። ምእንትዚ ከኣ፣ ነዛ ሕድሪ ዝተዋህበት እምነት ኣብ ምግላጽን፡ ብግብሪ ኣብ ምትርጓምን ምዕቃብን፡ ኣብ መንጎ ኣቡናትን ምእመናንን ርኡይ ዝኾነ ስኒትን ውህደትን ኪህሉ ይግባእ።[46]

## ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት

**85** ብመልክዕ ጽሑፍ ይኹን፡ ብመልክዕ ትውፊት ንዝተዋህበ ቃል-ኣምላኽ ንጹሕን ብቑዕን ትርጓሜ ናይ ምሃቡ መዝነት፣ ነቲ ናይ ቤተክርስትያን ሕያው ዝኾነ ሥልጣነ-ትምህርት ብሕቱ ዝተዋህበ እዩ። በዚ ጕዳይ'ዚ ዝመጽእ ቤተክርስትያን ዘለዋ ሥልጣን፡ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ክትፍጽሞ ትርከብ"[47] እዚ ኸኣ፣ እቲ ናይ ትርጓሜ መዝነት፡ ነቶም ምስ ተካኢ-ጴጥሮስ፡ ጳጳስ ሮሜ ምሉእ ሓድነት ዘለዎም ኣቡናት ተዋሂቡ ማለት እዩ። 888-892 2031-2040

**86** እዚ (ናይ ቤተክርስትያን) ሥልጣነ-ትምህርት ግን ልዕሊ ቃል-ኣምላኽ ዘይኮነስ፣ ነኣኡ ዜገልግል እዩ። ነቲ(ካብ ካልኦት) ዝተቐበሎ ጥራሕ እዩ ዚምህር። ብመለኮታዊ ትእዛዝ ተመሪሑ፣ ብሓገዝ መንፈስ ቅዱስ በሪሁ፡ ነዚ ዝተቐበሎ ብመንፈሳውነት ጽን ኢሉ ይሰምዕ፣ ብተወፋይነት ይሕልዎ፣ ብተኣማንነት ከኣ ይትንትኖ። እቲ ናይ መለኮታዊ ግልጸት ፍረ ዝኾነ'ሞ ኪእመን ይግበኦ ዚበሃል ኩሉ ከኣ፣ ካብዚ ኡንኮ መዝገበ-እምነት ዝተቐድሐ እዩ።[48] 688

[45] ቃል-ኣምላኽ DV 10 § 1; 1ጢሞ 6፥20፣ 2ጢሞ 1፥12-14(Vulg.) ረአ
[46] ቃል-ኣምላኽ DV 10 § 1; cf. Acts 2፥42 (Gk.); ፒዮስ መበል 12 apostolic constitution, Munificentissimus Deus, November 1, 1950፡ AAS 42 (1950), 756, ምስ ቃላት ቅ.ቆጵርያኖስ Epist. 66, 8፡ CSEL 3, 2, 733፡ "ቤተክርስትያን ማለት ምስ ካህናቱ ዝሠመረ ሕዝቢ፣ ኣብ ጓሳኡ ዝጠበቐ መጓሰ ማለት እያ"
[47] ቃል-ኣምላኽ DV 10 § 2
[48] ቃል-ኣምላኽ DV 10 § 2

**87** “ንኣኻትኩም ዚሰምዕ ንኣይ እዩ ዚሰምዕ”[49](ሉቃ.10፡16) ንዚብል፡
1548 ንሓዋርያት ዝተባህለ ቃላት-ክርስቶስ ብምዝካር ድማ፡ ምእመናን ብዝተፈላለየ
2037 መልክዕ ጓሶቶም ንዚህቡዎም ትምህርትን መምርሕታትን ብልዙብ መንፈስ
ይቕበልዎ።

## ኣናቅጽ እምነት

**88** እቲ ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት ነቲ ካብ ክርስቶስ ዚመጽእ ሥልጣን ብምልኣት-ትርጕሙ ኣብ ግብሪ ዜውዕሉ፣ ንኣናቅጽ-እምነት (ዶግማ) ኪዝርዝርን ከነጽርን ከሎ፣ እዚ ማለት ድማ ብዘየዳግም ናይ እምነት ኣተና፣ ሕዝበ-ክርስትያን ንኺቕበሎ ብዘገድድ መልክዑ ንዚቐርብ ኣብ መለኮታዊ ግልጸት ንዘሎ ሓቅታት፡ ወይ ከኣ ምስኡ ኣገዳሲ ምጥንናግ ዘለዎ ሓቅታት ወሲኑ እንከቕርብ እዩ።

**89** ኣብ መንጎ መንፈሳዊ ሕይወትናን፡ ኣናቅጽ-እምነትናን መሠረታውን
2625 ሥሩዕን ዝኾነ ምትእስሳር ኣሎ። ኣብቲ ጕዕዞ እምነት ኣናቅጽ-እምነት ከም
መብራህቲ ኮይኑ፣ የብርሆን ጽኑዕ መሠረት የርግጸን። ብኻልእ ኣዘራርባ፣
ሕይወትና ቅኑዕን ትኽ ዝበለን እንተደኣኮይኑ፣ ኣእምሮናን ልብናን ድማ ርሑው
ኮይኑ፡ ነቲ ኣናቅጽ-እምነት ዜንጸባርቕ ጩራ-ብርሃን ኪቕበል እዩ።[50]

**90** ኣብ መንጎ ኣናቅጽ-እምነት ዘሎ ሓድሕዳዊ ምትእስሳርን፣ ስኒትን፣
114:158 ኣብቲ ናይ ምሥጢረ ክርስቶስ፡ ምልኣት-ግልጸት ይጭበጥ[51] (ይብጻሕ)። ምስቲ
234 መሠረታት-እምነት ክርስትና ዘለዎ ርክብ ዝተፈላለየ ስለዝኾነ፣ “ኣብ ካቶሊካዊ
ትምህርተ-እምነት” ናይ ሓቅታት-እምነት መዓርጋዊ ደረጃ ወይ መሥርዕ ኣሎ።[52]

## እምነት መልዕልተ-ባሕርያዊ ትርጕም ኣለዎ

**91** እቲ ዝተገልጸ ሓቅታት (እምነት) ኣብ ምርዳእን ምግንዛብን፣ ናብ
737 ካልኣት ኣብ ምምሕላፍን ከኣ ኩሎም ምእመናን ነናቶም እጃም ንምብርካት
ይሳተፉ። ነዚ ዚምህሮምን[53] ናብ ምልኣት-ሓቂ (ዜብጽሖምን) ዚመርሖምን[54]
መንፈስ ቅዱስ ብቕብኣት ተቐቢሎምዎ እዮም።

**92** ብጕዳይ እምነት ዝመጽእ፣ ናይ ምእመናን ኣካል ብምሉኡ ኪጋገ
785 ዘይከኣል እዩ። እዚ ዓይነተይና ጠባይ’ዚ ብወገን ምእመናን ኣብቲ ናይ እምነት
መልዕልተ-ባሕርያዊ መዳዩ እንኪግለጽ፣ (ልባዌ-እምነት፣ ”Sensus fidei”)፣ “ካብ

---

[49] ሉቃ 10፡16፣ ብር.ኣሕ. LG 20 ረአ
[50] ዮሓ 8፡31-32 ረአ
[51] ጉባኤ ቫቲካን 1ይ፡ ደንዚንገር DS 3016፡ nexus mysteriorum; ብር.ኣሕ. LG 25 ረአ
[52] ኅብረት ክርስትያን UR II
[53] 1ዮሓ 2፡20፣ 27 ረአ
[54] 1ዮሓ 16፡13 ረአ

ኣቡናት ጀሚርካ ክሳብ'ቲ ተራ ምእመን" ኣብ ጉዳይ እምነትን ሞራልን ኣብ ዘርእዩዎ ሓፈሻዊ ሥምረት ይረጋገጽ።[55]

**93** ሕዝቢ እግዚኣብሔር፡ እምበኣር ብመንፈስ ሓቅን ጽድቅን ብዚጐሳ ጐስን፡ በኣኡ ዚንቀሳቐስን ልባዌ-እምነት በሪሁ፣ ብናይ ቤተክርስትያን ዝተቐደሰ መዝነት ሥልጣነ-ትምህርት ተመሪሑ...ነታ ሓንሳብ ንወትሩ፡ ንቅዱሳን ዝተዋህበት ...እምነት ይቕበል.....፤ ነዛ እምነት'ዚኣ ብትብዓት የዓትራ፣ ብቕኑዕን ሚዛናውን ርድኢት ይምርምራ፣ ብዝበለጸ ምልኣት ከኣ ኣብ ዕለታዊ ሕይወቱ ይነብራ።[56] 889

## ኣብ ናይ እምነት ልቦና ምዕባይ

**94** ናይ ክልቲኡ ማለት ናይ ቃላትን መዝገበ-እምነትን ርድኢት ወይ 66
ግንዛቤ ኣብ ሕይወት-ቤተክርስትያን ብሳላ ረድኤት መንፈስ ቅዱስ ቀጺሉ ኪዓቢ ዚኽእል እዩ፦

- ነዚ ነገራት'ዚ ኣብ ልቦም ብምሓዝ፡ ብተመስጦ ዜስተንትንዎን ዜጽንዕዎን 2651
ምእመናን[57]፣ ብፍላይ ብዚገብርዎ ትምህርተ መለኮታዊ ምርምር፡ ናይ'ቲ ዝተገልጸ ሓቅታት ፍልጠቶም የዕምቖ።[58]

- ምእመናን ካብ ዜስተማቕርዎን ዚነብርዎን ናይ መንፈሳዊ ነገራት ውሽጣዊ 2038
ርድኢት[59]፣ ቅዱሳት መጻሕፍቲ'ውን ከይተረፈ "ምስ'ቲ ዜንብቦን ዚግንዘቦን ምስኡ 2518
የዓቢ" እዩ።[60]

- ምስ'ቲ ጽጽስናዊ ናይ ተኸተልቲ-ሓዋርያት መሰል፣ ናይ ሓቅነት ህያብ[61] ዝተቐበሉ ጳጳሳት ብዚገብርዎ ስብከት የዓቢ፣

**95** በቲ ልዑልን ጥበብ ዝመልኡን መደብ-ኣምላኽ እምበኣር፣ ቅዱስ ትውፊትን፡ ቅዱሳት መጻሕፍትን ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርትን ኩሉ፡ ነንሓድሕዱ ኣዝዩ ዝተጠናነገን ዝተወሃሃደን ኮይኑ ስለዝተሥርዐ፡ ሓደ ብዘይካ'ቲ ካልእ ኪቖውም ዘይከኣል ምኳኑ ንጹር እዩ። ነፍስወከፍ ኣብ ትሕቲ ጽልዋ መንፈስ ቅዱስ ብመንገዱ እናኸደ፣ ኵሎም ሓቢሮም ብምስራሕ፡ ኣብ ድኅነት-ነፍሳት ውጽኢት ዘለዎ እጃሞም የበርክቱ።[62]

---

[55] ብር.ኣሕ. LG 12፣ ቅ.ኣጐስጢኖስ De praed. sanct. 14, 27፡ PL 44, 980. ረኣ
[56] ብር.ኣሕ. LG 12፣ ይሁዳ 3 ረኣ
[57] ቃል-ኣምላኽ DV 8 § 2፣ ሉቃ 2:19፣ 51 ረኣ
[58] ፍሥሓን ተስፋን GS 62 § 7፣ ፍሥሓን ተስፋን GS 44 § 2፣ ቃል-ኣምላኽ DV 23፣ 24; UR 4
[59] ቃል-ኣምላኽ DV 8 § 2
[60] ቅ.ጎርጎርዮስ ዓቢይ Hom. in Ez. 1, 7, 8፡ PL 76, 843 D.
[61] ቃል-ኣምላኽ DV 8 § 2
[62] ቃል-ኣምላኽ DV 10 § 3

## ብሓጺር

96 ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ሕድሪ ዝሃቦም፣ ንሳቶም'ውን ብወገኖም ብስብከቶምን ጽሑፋቶምን ገቢሮም፡ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ኣስተንፍሶ ተሓጊዞም፣ ክርስቶስ ዳግማይ ብኽብሪ ክሳብ ዚመጽእ፡ ነቲ ኹሉ ዝተቐበልዎ ናብ ኩሎም ወለዶታት ኣመሓላሊፎምዎ።

97 "ቅዱስ ትውፊትን፡ ቅዱሳት መጻሕፍትን፡ ሓደ ናይ ቃል-ኣምላኽ ዝተቐደሰ መዝገብ የቐውሙ" (ቃል-ኣምላኽ DV.10) ኣብዚ ከም መስትያት ዚግመት መዝገብ ከኣ፡ እታ ናይ ነጋድያን ቤተ ክርስትያን፣ ምንጪ ኩሉ ሃብትታት ንዝኾነ እግዚኣብሔር እናረኣየት ብተመስጦ ተስተንትኖ።

98 "ቤተክርስትያን ብትምህርተ-እምነታ፣ ሕይወታ፣ ሥርዓተ-ኣምል ኾታ ገቢራ፣ እቲ ኹሉ እምነታን ሃለዋታን ከምዚቕጽል፡ ናብ ኩሎም ወለዶታት ከምዚሓልፍ ትገብር። (ቃል ኣምላኽ DV.8፡1)

99 ብሳላ'ቲ መልዕልተ-ባሕርያዊ ልባዌ-እምነት፣ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ብመላኡ፣ ነቲ ናይ መለኮታዊ ግልጸት ጸጋ ብቐጻሊ ይቕበልን፣ ብዝበለጸ ዕምቈት የስተንትንን፣ በዚ ጸጋ'ዚ ከኣ ብምልኣት ይነብርን።

100 ንቃል-ኣምላኽ ብጽፈትን ብቕዓትን ናይ ምትርጓም ተግባር፡ ንናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት ማለት፣ ንርእሰ ሊቃነ ጳጳሳትን ኣብ ሱታፌኡ ንዘለዉ ጳጳሳትን ሕድሪ ዝተዋህበ እዩ።

# ኣንቀጽ 3
# ቅዱስ መጽሓፍ

## I. ክርስቶስ፡ እቲ ሓንቲ ቃል ቅዱስ መጽሓፍ

101 እግዚኣብሔር ንደቂሰባት ርእሱ ምእንቲ ኪገልጸሎም ኢሉ፡ ብናይ ኂሩቱ ሥምረት፡ ብሰብኣዊ ቃላት ኪዛረቦም ተረኺበ። "ከምቲ ቃል-ዘለዓለማዊ ኣቦ፡ ናይ ሰብኣዊ ድኻምነት ሥጋ ለቢሱ፡ ሰብ ዝኾነ፣ ከምኡ እቲ ብቃላት-ሰብ ዝተገልጸ መለኮታዊ ቃላት፣ ብኹሉ መዳይ ከም ኩሉ ሰብኣዊ ቋንቋ እዩ"።[63]

[63] ቃል-ኣምላኽ DV 13

102 ብኹሉ'ቲ ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ቃላት ገቢሩ እግዚኣብሔር ነታ ሓንቲ ቃል እዩ ዚዛረብ፣ በዛ ኡንኮ ድምጸ-ቃሉ ገቢሩ ከኣ ርእሱ ብምልኣት ይገልጽ፡[64] 65: 2763

ኣብ መላእ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዘሎ እቲ ኡንኮን ዘይልወጥን ቃል-ኣምላኽ ምኽኑ ዘክሩ፣ ማለት እቲ ኣብ ኣፍ ኩሎም ደረስቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዜቃልሕ ድምጸቃል እቲ ሓደን ወትሩ ዘይለዋወጥን እዩ፤ ከመይሲ እቲ ካብ መዠመርያ ኣትሒዙ፣ ኣምላኽ ምስ ኣምላኽ ዝኾነ፣ ብግዜ ዘይለዋወጥ ስለዝኾነ ካልእ ፍሉይ ዝኾነ ዘይቤ ኣየድለዮን።[65] 426-429

103 በዚ ምኽንያትዚ ከኣ፣ ቤተክርስትያን ንናይ ጐይታና ሥጋሁ ወደሙ ብእትህቦ ክብሪ፡ ንቅዱስ መጽሓፍ ከተኽብሮ ናይ ወትሩ ልማዳ እዩ። ቃል-ኣምላኽን፡ናይ ክርስቶስ ሥጋሁ ወደሙን ካብ ዚስሰየሉ ኡንኮ መኣዲ ንዝተረኽበ እንጌራ-ሕይወት ንምእመናን፡ካብ ምዕዳል ቤተክርስትያን ፈጺማ ኣይተቛርጽን[66]። 1100 1184 1378

104 ቤተክርስትያን፡ ንቅዱስ መጽሓፍ፡ ከም ሰብኣዊ ቃል ዘይኮነስ፡ "ከምቲ ሓቀይና ኰነቱ፣ ቃል-ኣምላኽ" ገቢራ ስለእትቕበሎ፣ መግብን ኃይልን ዝኾና ካብኡ ብቐጻሊ ክትቀድሕ ትርከብ።[67] እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ እግዚኣብሔር ኣቦ፡ ንደቁ ብፍቕሪ ዚራኽቦምን፡ ዚዛረቦምን ከኣ ብቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣቢሉ እዩ።[68]

## II. ኣስተንፍሶ ቅዱስ መጽሓፍን ሓቅነቱን

105 ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ደራሲ እግዚኣብሔር እዩ። "እቲ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዘሎን፣በኣኡ ዚቐርበልናን፣ ብመለኮታዊ ኣገባብ ዝተገልጸ ነገራት ኩሉ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ኣስተንፍሶ ዝተጻሕፈ (ዝተደርሰ) እዩ"።[69] "ኣዴና ቅድስቲ ቤተክርስትያን ከኣ፡ ኣብቲ ካብ ዘመነ-ሓዋርያት ዝወረሰቶ እምነት ተመርኵሳ፣ ንመጻሕፍቲ ብሉይን ሓዲስን ኪዳን ብምልኣቱን ምስ ኩሉ ክፋላቱን፣ ዝተቐደሰን ቀኖናውን ምኽኑ ትቕበል። ነዚ መሠረቱ ኸኣ፣ ብኣስተንፍሶ መንፈስ ቅዱስ ዝተደርሰ፣ ደራሲኡ ባዕሉ እግዚኣብሔር፣ ብኸም'ዚ ዘለዎ ከኣ ናብ ቤተ ክርስትያን ዝተመሓላለፈ ብምኽኑ እዩ።[70]

106 ቅዱሳት መጻሕፍቲ ንዝደረሱ ሰባት ባዕሉ እግዚኣብሔር ኣስተንፈሰሎም። "ቅዱሳት መጻሕፍቲ ንምድራስ እግዚኣብሔር ገለ ፍሉያት ሰባት

---

[64] ዕብ 1፡1-3 ረአ
[65] ቅ.ኣጉስጢኖስ En. in Ps. 103, 4, 1፡ PL 37, 1378፣ . Ps 104፣ Jn 1፡1 ረአ
[66] ቃል-ኣምላኽ DV 21 ረአ
[67] 1ተስ 2፡13፣ ቃል-ኣምላኽ DV 24 ረአ
[68] ቃል-ኣምላኽ DV 21
[69] ቃል-ኣምላኽ DV 11
[70] ቃል-ኣምላኽ DV 11፣ ዮሓ 20፡31፣ 2ጢሞ 3፡16፣ 2ጴጥ 1፡19-21፣ 3፡15-16 ረአ

ሓረየ። ንሳቶም ኣብዚ ተግባር'ዚ ብእግዚኣብሔር'ኳ እንተተመዘዙ፣ ነቲ ኹሉ ክእለቶምን ዓቕምታቶምን ብዚግባእ ተጠቒሞምሉ እዮም፤ ምእንት'ዚ ከኣ፡ እግዚኣብሔር በኣኣቶምን ኣብኣቶምን እኳ እንተሰርሐ፣ ንሳቶም ግን መጠን ድልዋት ደረስቲ፣ ነቲ ንሱ ኪጽሕፉዎ ዝደለዮም ኩሉ ከይነከዩ ከይወሰኹ፡ ኣብ ጽሑፍ ኣስፈሮም"።[71]

**107** እዚ ብኣስተንፍሶ ዝተደርሰ መጻሕፍቲ ሓቂ ይምህር። ኣስተንፍሶ
702 ዝተቐበሉ ደረስትን መንፈሳውያን ጸሓፍትን ዚብልዎ ኩሉ እምበኣር፡ መንፈስ ቅዱስ (ከም) ዝበሎ ኮይኑ ኪግመት ግቡእ እዩ። እግዚኣብሔር ንድኅነትና ኢሉ ኣብ'ዚ ቅዱስ ጽሑፋት ኪዝገብ ንዝደለዮ ሓቂ፣ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ጽሑፋት ብጽንዓትን ብተኣማንነትን ብዘይ ስሕተትን ከምዚምህር ክንቅበሎን ክንእመነሉን ዘሎና እዩ።[72]

**108** ግና ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ እምነት-ክርስትና "ናይ መጽሓፍ ሃይማኖት" ኮይኑ ዚረአ ኣይኮነን። ክርስትና "ናይ ቃል-ኣምላኽ ሃይማኖት እዩ፤ እዚ ቃል'ዚ ግን "ዝተጻሕፈ'ምበር ዘይዛረብ ቃል ዘይኮነስ፣ ሥጋ ዝለበሰን፡ ሕይወት ዘለዎን ቃል እዩ"።[73] ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምዉት ፊደል ኮይኑ ምእንቲ ከይተርፍ፣ ናይቲ ሕያው ኣምላኽ ዘለዓለማዊ ቃል ዝኾነ ክርስቶስ፣ ንቅዱሳት መጻሕፍቲ ንኽንርዳእ ብመንፈስ ቅዱስ ገቢሩ ኣእምሮና ክርሕወልና ኣለዎ።[74]

## III. ትርጓሜ ቅዱስ መጽሓፍ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ እዩ

**109** ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ፣ እግዚኣብሔር ንወድሰብ ብሰብኣዊ ኣገባብ ይዛረቦ። ምእንትዚ ከኣ፣ ንቅዱስ መጽሓፍ ብቕኑዕ መንገዲ ንምፍታሑ (ምትንታኑ)፣ እቶም ሰባት ማለት ደረስቲ ኪብልዎ ንዝደለዩ፣ ብቓላቶም ገቢሩ ኣምላኽ እንታይ ኪገልጸልና ከምዝደለየ፡ ተጠንቂቕካ ምስትውዓል ናይ ኣንባቢ ተግባር እዩ።[75]

**110** ናይ'ቶም ቅዱሳን ደራስያን ሓሳባት ንምርካብ፣ ብወገን ኣንባቢ፡ ናይ'ቲ ግዜኦምን ባህሎምን ኣተሓሳስባኦምን ኣጸሓሕፋኦምን፣ ብግዜኦም ንዝነበረ ስምዒትን ርድኢትን ምግንዛብ ኣድላዪ እዩ። "ሓቂ ብብዙሕ ኣገባብ ከም ትግለጽ፣ ማለት ብናይ ታሪኽ ጽሑፋት፣ብናይ ትንቢት ቃላትን፡ ቅኔያዊ

---

[71] ቃል-ኣምላኽ DV 11
[72] ቃል-ኣምላኽ DV 11
[73] ቅ.በርናርዶስ S. missus est hom. 4, 11፡ PL 183, 86.
[74] ሉቃ 24፡45 ረኣ
[75] ቃል-ኣምላኽ DV 12 § 1 ረኣ

ግጥምታትን፡ ብኻልእ ዝተፈላለየ ናይ ሥነጽሑፍ ዓይነትን ብልኃትን ከምትቐርብ ፍሉጥ እዩ።"[76]

**111** ቅዱስ መጽሓፍ ብኣስተንፍሶ መንፈስቅዱስ ዝተደርሰ ስለዝኾነ፣ ንቕኑዕ ትርጓሜኡ ኣገዳሲ ዝኾነ፣ ብዘይካኡ'ውን እቲ ቅዱስ ጽሑፍ ምዉት ፊደል ዝምኾነ፣ ካልእ መምርሒ ትርጓሜ ኣሎ። "ቅዱስ መጽሓፍ እምበኣር፡ ደራሲኡ ብዝኾነ ብናይ መንፈስቅዱስ መንፈስን ብርሃንን ኪንበብን ኪትርጎምን ይግባእ"።[77] ጉባኤ ቫቲካን 2ይ እውን እንተኾነ ብመንፈስ'ቲ ዘስተንፈሶ መንፈስ ቅዱስ ተኸቲልካ፣ ንትርጓሜ ቅዱስ መጽሓፍ ዚኸውን ሠለስተ መምዘኒታት የመልክት።[78]

**112** 1. *"ኣብ መላእ ቅዱስ መጽሓፍ ንዘሎ ትሕዝቶን ሓድነትን" ብፍሉይ ጥንቃቕ ምግንዛብ።* ንቅዱስ መጽሓፍ ዘቐውም መጻሕፍቲ ዝተፈላለየ መልክዕ'ኳ እንተለዎ፣ እቲ ዘበገሶ መደብ-ኣምላኽ ሓደ ብምዃኑ ቅዱስ መጽሓፍ ብሓድነት እዩ ዚጥመት። ናይ'ዚ መደብ'ዚ ቀንዲ ዓንዲማእከልን፣ ካብ ግዜ ፋሲካኡ ኣትሒዙ ርሑው ዝኾነ ልብን ባዕሉ ክርስቶስ እዩ።[79] 128 368

> እዚ "ልበክርስቶስ" ዚብል ኃይለቃል ንቅዱስ መጽሓፍ ከመልክት ዚኽእል እዩ፤ ከመይሲ ነቲ ቅድሚ ሥቓያቱ (ሕማማቱ) ንምርዳኡ ጽንኩር ዝነበረ ጽሑፋት፡ ዕጹው ዝነበረ ልቡ ገሊጹልና። ቅዱስ መጽሓፍ ዝተኸፍተ ድሕሪ ሥቓያቱ (ሕማማቱ) እዩ፣ ምኽንያቱ ኸኣ ካብ'ዚ ንደሓር'ዩ ንትንቢት ተረዲኦም፣ ብኸመይ ኪትርጎም ከም ዚግባእ ኪሓስቡን ኪመምዩን ዝተረኸቡ።"[80]

**113** 2. *ንቅዱስ መጽሓፍ "ብመንፅር'ቲ ናይ መላእ ቤተክርስትያን ሕያው ትውፊት" ምንባቡ የድሊ።* ከም ኣበሃህላ ኣበው፡ ቅዱስ መጽሓፍ ኣብ ሰነዳትን መዛግብትን ቅድሚ ምስፋሩ፣ ቅድሚ ኹሉ ኣብ ልቢ ቤተክርስትያን እዩ ተጻሒፉ። ምኽንያቱ ኸኣ፡ ቤተክርስትያን ነቲ ሕያው ዝኾነ ዝኽሪ ቃል-ኣምላኽ ኣብቲ ትውፊታ ወትሩ ምስ ዓቀበቶ እያ። ናይ ቅዱስ መጽሓፍ መንፈሳዊ ትርጓሜ ዚልግሠላ ድማ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ("....ምስቲ መንፈሳዊ ርድኢት ዚሰማማዕ፡ መንፈስ ቅዱስ ንቤተክርስትያን ዚህባ ጸጋ እዩ")።[81] 81

**114** 3. *ንናይ እምነት ንጽጽር (ምስስል) ብጥንቃቕ ምሕላዉ።*[82] "ናይ እምነት ንጽጽር ኪበሃል ከሎ፣ ኣብቲ መላእ መደብ-ግልጸት ንዘሎ ናይ እምነት ሓቅታትን፡ ኣብ ንሓድሕዱ ንዘሎ ስኒትን ንጽጽርን ዜመልክት እዩ። 90

---

[76] ቃል-ኣምላኽ DV 12 § 2
[77] ቃል-ኣምላኽ DV 12 § 3
[78] ቃል-ኣምላኽ DV 12 § 4 ረአ
[79] ሉቃ 24፡25-27፣ 44-46 ረአ
[80] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ Expos. in Ps 21,11፣ cf. Ps 22፡15.
[81] ኦርጌንስ Hom. in Lev. 5, 5፡ PG 12, 454D.
[82] ሮሜ 12፡6 ረአ

## ምሥጢር ቅዱስ መጽሓፍ

**115** *ጥንታዊ ትውፊት ቤተክርስትያን ከም ዘጽንሓልና፣ ኣብ ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ ክልተ ምሥጢር ኢና ነስተውዕል፡- ጽሑፋውን (ፊደላውን)፣ መንፈሳውን ይበሃል። እቲ ካልኣይ (መንፈሳዊ) ብወገኑ፡ ኣምሳላዊ፡ ሞራላዊ፡ ምርሓታዊ ወይ ትጽቢታዊ ኣብ ዚብሉ ይኽፈል። ናይ'ዚ ኣርባዕተ ምሥጢር ውሽጣዊ ስኒትን ስምምዕን ከኣ፡ ነቲ ኣብ ቤተክርስትያን ዚፍጸም፣ ሕይወት ዚህብ (ሕያው) ንባብን ትርጓሜን ሃብቱን ውሕስነቱን እዩ።*

**116** *ጽሑፋዊ ምሥጢር፦* (literal sense) *ኪበሃል ከሎ፡* ኣብ ናይ ቅዱስ
110 መጽሓፍ ፊደሉን ንባቡን ንዘሎ ቀጥተይና ትርጉም ዚርኢ ኮይኑ፣ ቅኑዕን ጥዑይን ንዝኾነ ናይ ትርጓሜ ሕግታት ተኸቲልካ፣ ብኣንድምታ ዚርከብ ምሥጢር እዩ። "ኩሉ ካልእ ምሥጢር ቅዱስ መጽሓፍ ኣብዚ ጽሑፋዊ መዳይ (ቀጥተይና) ዝተመርኰሰ እዩ"።[83]

**117** *መንፈሳዊ ምሥጢር፦* (spiritual sense) ሳላ'ቲ ዝተወሃሃደ መደብ-
1101 ኣምላኽ፡ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ጽሑፍ በይኑ ዘይኮነስ፡ ኣብኡ ዚዝረበሉ ነገራትን (ክዋኔታት)ፍጻሜያትን ኩሉ "ትእምርት" (ኣምሳል) ኪኸውን ዚኽእል እዩ።

1. *ኣምሳላዊ ምሥጢር፦* (allegorical sense) ኣብ ክርስቶስ ዘለዎ ትርጉም ብምስትውዓልን ብምቕባልን፡ ናይ ፍጻሜታት ዝዓመቔን ዝረቐቕን ትርጉም ክንረክብ ንኽእል ኢና። ምእንት'ዚ ከኣ፡ እቲ ናይ ቀይሕ ባሕሪ (ባሕሪ ኤርትራ) ምስጋር፡ ናይ ዓወት-ክርስቶስ፡ ከምኡ'ውን ናይ ጥምቀት-ክርስትና ትእምርት ወይ ኣርኣያ ኪኸውን ይርከብ።[84]

2. *ሞራላዊ (ሥነ ምግባራዊ) ምሥጢር፦* (moral sense) ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዚርከብ ፍጻሜታትን (ክዋኔታት) *ታሪኹን* ናብ ቅኑዕ *ሥነምግባራዊ* ኣንፈት ኪመርሓና ኣለዎ። ቅዱስ ጳውሎስ ከም ዚብሎ ከኣ "ነኣና ንተግሣፅ ኪኾነና" እዩ ተጻሒፉ።[85]

3. *ምርሓታዊ/ትጽቢታዊ ምሥጢር፦* (anagogical sense) ናብታ እንጽበያ ሓቀይና ሰማያዊት ሃገርና ገጹ ምስ ዚመርሓና ኩሉ ብምንጽጻር፣ ኣብ መወዳእታ ዓለም ኪህልዎ ብእንጽበዮ ራእይ፣ ዚርዳእ ነገራትን ፍጻሜታትን ኣሎ። ምእንት'ዚ ከኣ እዛ ኣብ ምድሪ ዘላ ቤተክርስትያን ናይ'ታ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም "ትእምርት" ወይ ምልክት እያ።[86]

---

[83] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh I, 1, 10, ad 1
[84] 1ቆሮ 10:2 ረኣ
[85] 1ቆሮ 10:11፣ ዕብ 3-4:11 ረኣ
[86] ራእ 21:1-22:5 ረኣ

**118** ናይ'ዘን ኣርባዕተ ምሥጢር ቍምነገር ኣብዚ ዚስዕብ ናይ ማእከላይ ክፍለዘመን ብሂል ተጠቓሊሉ ይርከብ።

> ጽሑፍ (ፊደል) ፍጻሜታት ይዝርዝር፣ ኣምሳል ነቲ ዚእመን የበሥር፣
> ሞራል ከመይ ንገብር ይሕብር፣ ምርሓት ከኣ መጻኢና ይነግር።[87]

**119** እቲ ናታቶም ምርምርን መጽናዕትን፡ ንናይ ቤተክርስትያን ጽኑዕ 94
ፍርድን ግምትን ሓጋዚ ኮይኑ ምእንቲ ኪርከብ፣ ናይ ትርጓሜን ኣንድምታን ሊቃውንቲ ብመሠረት'ዚ መምርሕታትዚ ሰሪሖም፡ ናብ ዝበለጸ ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምሥጢር መረዳእታን ኣንድምታን ገጾም ምስጓም፡ ቀንዲ ተግባሮም ኪኸውን ይግባእ። እቲ ኹሉ ብዛዕባ ናይ ትርጓሜ ቅዱስ መጽሓፍ ኣገባባት ዝተባህለ ድማ መወዳእታኡስ ኣብ ትሕቲ ናይ ቤተክርስትያን ፍርድን ሜማን ዚወድቕ ምኳኑ ርግጽ እዩ። ንቃል-ኣምላኽ ምሕላውን ንትርጓሜኡ ናይ ምሕላይን መዝነትን ተልእኮን፣ ቤተክርስትያን ካብ ኣምላኽ ዝተቐበለቶ ሥልጣን እዩ።[88]

> “ናይ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ሥልጣን ናብ'ዚ ደሪኹኒ እንተዘይኸውን፣ 113
> ንወንጌል ክኣምኖ ክቕበሎ ኣይምተረኸብኩን”[89]።

# IV. ቀኖና ቅዱስ መጽሓፍ

**120** ኣብ ቍጽሪ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኪጽብጸቡ ዚግበኦም ኣየኖት ጽሑፋት 1117
ምዃኖም ንምፍላይን ምልላይን፣ ንቤተክርስትያን ቀንዲ መምርሒ ዝኾና እቲ ናይ ሓዋርያት ክቡር ትውፊት እዩ።[90] እዚ ምሉእ ዝኾነ ቁጽሪ ወይ ዝርዝር መጻሕፍቲ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ “ቀኖና” ይበሃል። እዚ ከኣ 46 ናይ ብሉይ ኪዳን መጻሕፍትን (ኤርምያስን ሰቆቃውን/ድጕዓን ከም ሓደ እንተተቈጺሩ 45 ይኸውን) 27 ናይ ሓዲስ መጻሕፍትን የጠቓልል።[91]

***ብሉይ ኪዳን፦*** ኦሪት ዘፍጥረት፣ ኦሪት ዘፀኣት፣ ኦሪት ዘሌዋውያን፣ ኦሪት ዘኍልቍ፣ ኦሪት ዘዳግም፣ ኢያሱ፣ መሣፍንት፣ ሩት፣ 1ይ ሳሙኤል፣ 2ይ ሳሙኤል፣ 1ይ ነገሥት፣ 2ይ ነገሥት፣ 1ይ ዜናመዋዕል፣ 2ይ ዜናመዋዕል፣ ዕዝራ፣ ነህምያ፣ ጦቢት፣ ዮዲት፣ ኣስቴር፣1ይ መቃብያን፣ 2ይ መቃብያን፣ እዮብ፣ መዝሙራት፣ ምሳሌ፣ መክብብ፣ መኃልየ መኃልይ፣ ጥበበ ሰሎሞን፣ ሢራክ፣ ኢሳይያስ፣ ኤርምያስ፣ ሰቆቃው (ድጕዓ)፣ ባሮክ፣ ሕዝቅኤል፣ ዳንኤል፣ ሆሴዕ፣ እዮኤል፣

---

[87] Lettera gesta docet, quid credas allegoria, moralis quid agas, quo tendas anagogia. Augustine of Dacia, Rotulus Pugillaris, I;ed, A.Walz. Angelicum 6(1929) 256

[88] *ቃል-ኣምላኽ* DV 12 § 3.

[89] *ቅ.ኣጐስጢኖስ* Contra epistolam Manichaei, 5, 6፡ PL 42, 176.

[90] *ቃል-ኣምላኽ* DV 8 § 3 *ረአ*

[91] *ደንዚንገር* DS 179; 1334-1336; 1501-1504 *ረአ*

ኣሞፅ፣ ኣብድዩ፣ ዮናስ፣ ሚክያስ፣ ናሆም፣ ዕንባቆም፣ ሰፎንያስ፣ ሓጌ፣ ዘካርያስ፣ ሚልክያስ።

***ሓዲስ ኪዳን፡-*** ወንጌል ማቴዎስ፣ ወንጌል ማርቆስ፣ ወንጌል ሉቃስ፣ ወንጌል ዮሓንስ፣ ግብረ ሓዋርያት፣ መልእኽታት (ቅዱስ ጳውሎስ) ናብ ሮሜ፣ ናብ ቆሮንቶስ 1ይቲ፣ ቆሮንቶስ 2ይቲ፣ ናብ ገላትያ፣ ናብ ኤፌሶን፣ ናብ ፊልጵስዩስ፣ ናብ ቈላስይስ፣ ናብ ተሰሎንቄ 1ይቲ፣ ናብ ተሰሎንቄ 2ይቲ፣ ናብ ጢሞቴዎስ 1ይቲ፣ ናብ ጢሞቴዎስ 2ይቲ፣ ናብ ቲቶ፣ ናብ ፊልሞና፣ መልእኽቲ ዕብራውያን፣ መልእኽቲ ያዕቆብ፣ መልእኽቲ ጴጥሮስ 1ይቲ፣ መልእኽቲ ጴጥሮስ 2ይቲ፣ መልእኽቲ ዮሓንስ 1ይቲ፣ መልእኽቲ ዮሓንስ 2ይቲ፣ መልእኽቲ ዮሓንስ 3ይቲ፣ መልእኽቲ ይሁዳ፣ ራእይ ዮሓንስ (ኣቡቀለምሲስ)።

## ብሉይ ኪዳን

**121** ብሉይ ኪዳን፡ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ቀንድን ኣገዳስን ክፋል እዩ።
1093 መጻሕፍቲ ብሉይ ኹሉ ብመለኮታዊ ኣስተንፍሶ ዝተደርሰ ኮይኑ፣ ነባር ዋጋን
ቍምነገርን ዝሓዘ እዩ፣[92] ከመይሲ እቲ ጥንታዊ ኪዳን ፈጺሙ ኣይፈረሰን
(ኣይተሳዕረን)።

**122** እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን መደብ፡ መድኃኒ-ዅሉ (ሰብ) ንዝኾነ ክርስቶስ፣
702: 763 ምጽኣቱ ከሰናዱን፣ ብመልክዕ ትንቢት (ከበሥርን) ኪነግርን፣ ኮነ ኢልካ ዝተገብረን
708 ናብኡ ዝዓለመን እዩ።[93] ፍጹምን ምሉእን ዘይኮነ፡ ብግዜያውነት[94] ዝተባህለ
2568 ነገራት ዝሓዘ'ኳ እንተኾነ፣ መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን፡ ነቲ ናይ እግዚኣብሔር
ዘድኅን ፍቕሩን፣ መላእ መለኮታዊ ጥበቡን ዚምስክርን ዚነግርን እዩ። "እዚ ጽሑፋትዚ ድማ፡ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ልዑል ትምህርቲ፣ ብዛዕባ ሕይወት ወድሰብ ቅኑዕ ጥበብ፣ ከምኡ'ውን ዜደንቕ መዝገበ ጸሎታት ዝሓዘ ቤተመዛግብት እዩ፤ ኣብኡ ምሥጢረ ድኅነትና ብሥዉርን ስቱርን ኣገባቡ ህልው ኮይኑ ይርከብ።"[95]

**123** ክርስትያን ንብሉይ ኪዳን ከም መጠን ኡነተይና ቃል-ኣምላኽ ዚግባእ ክብሪ ይህብዎ። ብሉይ ኪዳን በቲ ሓዲስ ፈጺሙ ተደምሲሱ እዩ ብዚብል (Marcionite መርቅዮናዊ ባህሊ) ተደሪኹ፣ ንብሉይ ኪነጽግ ንዝተበገሠ ሓሳባት ቤተክርስትያን ወትሩ ኣትሪራ ምስተቓወመቶ እያ።

---

[92] ቃል-ኣምላኽ DV 14 ረአ
[93] ቃል-ኣምላኽ DV 15
[94] ቃል-ኣምላኽ DV 15
[95] ቃል-ኣምላኽ DV 15

## ሓዲስ ኪዳን

124 ንዚኣምን ዘበለ፡ ንድኅነት ዚበቅዕ ኃይሊ-ኣምላኽ ዝኾነ ቃል-ኣምላኽ፣ ብቐጥታ ዝተገልጸን፣ ክእለቱ ከኣ ብዜደንቕ ኣገባብ ዝተረጋገጸን ኣብ ጽሑፋት ሓዲስ ኪዳን እዩ[96]። ሓዲስ ኪዳን ነቲ ናይ ግልጸት-ኣምላኽ ዝለዓለ ሓቂ ዝሓቘፈን ዘመሓላለፈን ጽሑፍ እዩ። ናይዚ ጽሑፋት'ዚ ዓንዲ-ማእከል፣ እቲ ሥግው (ዝተሠገወ) ወልደ-ኣምላኽ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ፣ ማለት ተግባራቱ፣ ትምህርቱ፣ ሥቓያቱ (ሕማማቱ)፣ (ናይ ትንሣኤ) ክብረቱ፣ ከምኡ'ውን ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሓ ቤተክርስትያን ንዝገበረቶ ተበግሦ ኵሉ ዘጠቓልል እዩ[97]።

125 ወንጌል፦ "ናይቲ መድኃኒና ዝኾነን፣ (ሥጋ ዝለበሰ) ሥግውን ቃል፣ 515
ሕይወቱን ትምህርቱን ንምርዳእ ቀንዲ ምንጪና ስለዝኾነ"[98] ወንጌል ናይ መላእ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዓንዲ እዩ።

126 ኣብ ኣጸሓሕፋ ወንጌል ሠለስተ ስጕምታት ክነስተውዕል ንኽእል።

1. *ናይ ኢየሱስ ሕይወቱን ትምህርቱን፦* እዚ ታሪኻውነቱ ብጽኑዕን ብዘይ ጥርጥርን እነረጋግጾ ኣርባዕተ ወንጌላት፡ ኢየሱስ ወልደ-እግዚኣብሔር፡ ኣብ'ዚ ኣብ መንጎ ሰባት ብዝነበረሉ፣ ምእንቲ ዘለዓለማዊ ድኅነቶም ኪብል ክሳብ'ታ ዕለተ-ዕርገቱ ዝገበሮን ዝመሃሮን ኩሉ ብተኣማንነት ዘጊቡ ከምዘመሓላለፎ ቤተክርስትያን [99]ብጽኑዕ እተኣምኖ እዩ።

2. *ናይ ቃል ትውፊት፦* "ነቲ ንሱ ዝበሎን ዝገበሮን ኩሉ፣ ድሕሪ ዕርገቱ 76
ንጐይታ፣ ሓዋርያት ናብ ሰማዕቶም ከመሓላልፍዎ ከለዉ፣ በቲ ናይ ክርስቶስ ዕዙዝ ፍጻሜታት (ተግባራት) ተማሂሮም፣ በቲ ሽዑ ዘስተማቐርዎ መንፈስ-ሓቂ በሪሆም፡ ብምሉእ ርድኢትን ፍልጠትን ፈጸምዎ"።[100]

3. *ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ወንጌል፦* "እቶም ቅዱሳን ጸሓፍቲ፡ ነዘን ኣርባዕተ 76
ወንጌል ኪጽሕፋ ከለዉ፣ ካብቲ ብቓል ኮነ ብገለ ዓይነት ጽሑፍ ድሮ ተመሓላሊፉ ዝጸንሐ ገሊኡ ዝበዝሐ ወገናት ኪመርጹ ተረኺቦም። ንገለ ካልእ ወገናት ጸሚቖም ብምቕራብ፣ ወይ ከኣ ብመንፅር'ተን ኣብያተክርስትያናትን ሃለዋተንን ኪፈትሕዎ መደቡ። እዚ ኹሉ መልክዕ-ስብከት ብምሕላው ዝፈጸምዎ'ኳ እንተኾነ፡ ወትሩ ግን ብዛዕባ ኢየሱስ ኪበሃል ንዚከኣል ሓቂ ብተኣማንነት ነጊሮምና እዮም።[101]

[96] ቃል-ኣምላኽ DV 17፣ ሮሜ 1፡16 ረአ
[97] ቃል-ኣምላኽ DV 20 ረአ
[98] ቃል-ኣምላኽ DV 18
[99] ቃል-ኣምላኽ DV 19፣ ግ.ሓ 1፡1-2 ረአ
[100] ቃል-ኣምላኽ DV 19
[101] ቃል-ኣምላኽ DV 19

**127** እዚ ኣርባዕተ ዝቑጽሩ ወንጌል ኣብ ቤተክርስትያን ፍሉይ ዝኾነ ቦታ
154 ኣለዎ። እዚ ኸኣ ብሥርዓተ-ኣምልኾ ኣብ ዚወሃቦ ክብርን፤ ኣብ ኩሉ ዘመናት ብቕዱሳን ዝተራእየ ፍቕርን ዚረአ እዩ።

> ካብ'ዚ ናይ ወንጌል ጽሑፍ ሓሊፉ፣ ዝበለጸን ኣዝዩ ዝተመርጸን ካልእ ትምህርተ-እምነት የልቦን። ጐይታናን መምህርናን ዝኾነ ክርስቶስ ብቓሉ ዝመሃሮን፡ ብተግባሩ ዝፈጸሞን ኩሉ ሓዝዎ፡ ንወትሩ ከኣ ሓልውዎ።[102]

2705
> ኣብ ጸሎት ኣብ ዝተጸመድኩሉ፣ ልዕሊ ኩሉ ንኣእምሮይ ዚምስጥ ወንጌል እዩ። እዛ መስኪነይቲ ነፍሰይ ብዙሕ ግድነታት እዩ ዘለዋ፣ ግና ካብ ኩሉ እቲ ቀንዲ ኣድላዪ እዚ እዩ። ወትሩ ከኣ ኣብኡ ድሙቕ ብርሃን ምስረኽብኩን፣ ብዝተሓብአ ሥውር ምሥጢሩ ምስተደነቕኩን እየ"።[103]

## ሓድነት ብሉይን ሓዲስን ኪዳን

**128** ካብ ጥንቲ ካብ ዘመነ ሓዋርያት[104] ኣትሒዙ፣ ቤተክርስትያን በቲ
1094 (ክቡር) ትውፊታ ብሓድነት ክልቲኡ ኪዳን ንዚግለጽ መለኮታዊ መደብ
489 ከተንጸባርቕ ትርከብ። ነዚ ከኣ፣ ኣብ ዘመነ ብሉይ ኪዳን እግዚኣብሔር ዝፈጸሞ
681 ተግባራትን ኣምሳላትን፡ ኣብ ምልኣት ግዜ ናይ'ቲ ሥጋ ዝለበሰ ወዱ ዝፈጸሞ ኩሉ ጽላሎት ምዃኑ ብዜነጻጽር ምሥጢረ-ኣምሳልነት (typology) ከተንጸባርቕ ትርከብ።

**129** ምእንት'ዚ እምበኣር፡ ክርስትያን ንብሉይ ኪዳን ዜንብብዎ ወትሩ
681 ብመንፅር'ቲ ዝተሰቕለን ካብ ሞት ዝተንሥአን ክርስቶስ እዩ። እዚ ዝዓይነቱ
2055 ኣምሳላዊ ንባባትን ርድኢትን ፡ ነቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘሎ ተቐዲሑ ዘይውዳእ
1968 ትሕዝቶ ንምግላጽ ይሕግዝ። እንተኾነ ጐይታና ባዕሉ ደጊሙ ከም ዘረጋገጾ፣ ብሉይ ኪዳን ከም መጠን ግልጸት ርእሱ ዝኸኣለ ናይ ባዕሉ መሠረታዊ ዋጋ (ግምት) ከምዘለዎ ከኣ ክንርስዕ የብልናን።[105] ሓዲስ ኪዳን እውን ከምኡ፡ ብመንፅር ብሉይ ኪዳን ኪንበብ ይግበኦ። ጥንታዊ መደብ ትምህርተ-ክርስቶስ ድማ ንብሉይ ኪዳን ብቐጻሊ ኪጥቀመሉ ይርከብ።[106] ሓደ ናይ ቀደም ኣበሃህላ ከምዚገልጾ፡ ሓዲስ ኪዳን ኣብ ብሉይ ተሰቲሩ፣ ብሉይ ኪዳን ከኣ ብሓዲስ ተዘርዚሩ (ተገሊጹ) እዩ።[107]

**130** ምሥጢረ-ኣምሳልነት (typology) ኪበሃል ከሎ፣ "ኣምላኽ ንኹሉን ኣብ ኩሉን ኪኸውን" ዚብል መለኮታዊ መደብ[108] ክሳብ ዚፍጸም ንዚግበር ኃያል

---

[102] *ቅ.ቂሣርያ ንእስት* to St. Richildis and St. Radegunde, SCh 345, 480.
[103] *ቅ.ተሬዛ ዘሊሴ* ms. autob. A 83v.
[104] 1*ቆሮ* 10:6፤ 11፣ *ዕብ* 10:1 ፣ 1*ጴጥ* 3:21 *ረአ*
[105] *ማር* 12:29-31 *ረአ*
[106] 1*ቆሮ* 5:6-8፣ 10:1-11 *ረአ*
[107] *ቅ.ኣጎስጢኖስ* Quaest. in Hept. 2, 73: PL 34, 623; *ቃል-ኣምላኽ* DV 16 *ረአ*
[108] 1*ቆሮ* 15:28

ምንቅስቓስ ዜመልክት እዩ። ናይ ኣበው ጸዋዕታን፣ ፀኣተ-ግብፅን ከኣ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ባሕርይ'ኳ እንተለዎ፡ በዚ ግን ኣብ መደብ-ኣምላኽ ዘለዎ ግምት ኣጥፊኡ ማለት ኣይኮነን።

## V. ቅዱስ መጽሓፍ ኣብ ሕይወት ቤተክርስትያን

131 "ቃል-ኣምላኽ ኃይሉን ብርታዐኡን ክሳብ ክንድ'ዚ ብምዃኑ፣ ንቤተክርስትያን ድልዱል ደገፍን፡ ውሽጣዊ ኃይልን፣ ንደቂ ቤተክርስትያን ከኣ ንእምነቶም ብርታዐ፣ ንነፍሳቶም መግቢ፣ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ድማ ንጹሕን ተቐጻሒ ዘይውዳእን ዓይኒማይ ኮይኑ ኬገልግል ዚኽእል እዩ።"[109] ምእንት'ዚ ከኣ፣ "ናብ ቅዱስ መጽሓፍ ምቕራብ (ብቐረባ ምንባቡ) ንኽርስትያን ምእመናን ኣዝዩ ጥጡሕን ርሑውን ኪኾነሎም ይግባእ"።[110]

132 ስለ'ዚ "ናይ'ዚ ቅዱስ ገጻቱ መጽናዕቲ" ነቲ ቅዱስ ትምህርተ-መለኮት ኣንጉዑ ኪኸውን ይግባእ። ንቃል-ኣምላኽ ዚርኢ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት፡ ማለት ሓዋርያዊ (ጉስነታዊ) ስብከት፣ መደብ ትምህርተ-ክርስትና (Catechesis) ከምኡ እውን ንክርስትያናዊ መዕበያን ኵስኰሳን ዚምልከት ዘበለ ኩሉ፣ ኣብ ሥርዓተ-ኣምልኾ ዚፍጸም ልዑል ቦታ ዚወሃቦ ስብከታት፣ እዚታት ኩሉ ብቓል ቅዱስ መጽሓፍ ዝተመገበ፣ በዚ ከኣ ናብ ቅድስና ዜመጣጥር ኪኸውን ይርከብ።[111] 94

133 ነዚ መለኮታዊ መጻሕፍቲ ኣዘውቲሮም ብምንባብ፣..."ነቲ ዚሓልፎ 2653
ዘይብሉ ፍልጠት-ኢየሱስ ክርስቶስ" ኪመሃሩ(ኪፈልጡዎ)፣ ቤተክርስትያን ንኩሎም 1792
ምእመናን-ክርስትና ብፍሉይ ኣገባብ እሞ ኣበርቲዓ እተማሕጽኖ እዩ። "ንቅዱሳት መጻሕፍቲ ዘይምፍላጥ ማለት ንኽርስቶስ ዘይምፍላጥ እዩ"።[112]

---

## ብሓጺር

134 "መላእ መለኮታዊ ጽሑፋት ብዛዕባ ክርስቶስ ስለዚዛረብ፣ ከምኡ'ውን ብምሉኡ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣብ ክርስቶስ ምልኣቱ ስለዚፍጸም፤ ኩሉ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ሓደ መጽሓፍ እዩ፣ እዚ ኡንኮ መጽሓፍ ከኣ ክርስቶስ እዩ" ሂዩግ ዘቅ.ቪክቶር; De Arca Noe 2:8፣ PL 176:642)

---

[109] ቃል-ኣምላኽ DV 21
[110] ቃል-ኣምላኽ DV 22
[111] ቃል-ኣምላኽ DV 24
[112] ቃል-ኣምላኽ DV 25፣ ፊልጵ 3:8 ረኣ - ከምኡ ድማ ቅ.ሄሬኒሞስ Commentariorum in Isaiam libri xviii prol.: PL 24, 17b.

135 "ቅዱሳት መጻሕፍቲ ቃል-ኣምላኽ ዝሓዘ እዩ፣ ብኣስተንፍሶ ስለ ዝተደርሰ ከኣ ብሓቂ ቃል-ኣምላኽ እዩ" (ቃል ኣምላኽ DV. 24)

136 ቅዱስ መጽሓፍ ንዝጸሓፉ ሰባት ባዕሉ ስለዘተንፈሰሎም፡ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ደራሲ ባዕሉ እግዚኣብሔር እዩ። በኣታቶምን ኣብኣቶምን እዩ ዚሰርሕ። ምእንትʼዚ ከኣ ነቲ ናይ ድኅነት ሓቂ ብዘይስሕተት ንኺምህር ንጽሑፋቶም ውሕስነት ይህቦ። (ቃል ኣምላኽ DV.11)

137 እዚ ብኣስተንፍሶ ዝተጻሕፈ መጻሕፍቲ፡ ኣብ ትርጓሜኡ ኣውራ ጥንቃቐ ኪግበረሉ ዘለዎ፡ እቲ እግዚኣብሔር ንድኅነትና ኢሉ ነዞም መንፈሳውያን ደረስቲ ኪገልጸሎም ዝደለዮ እዩ። እቲ ካብ መንፈስ ዝመጽአ ዘበለ ኩሉ ከኣ "ብናይʼቲ መንፈስʼቲ ስራሕ እንተዘይኮይኑ ምርዳኡ ኣይከኣልን እዩ" (ኣርጌንስ, Hom.in Ex. 4፡5 PG.12፡ 320)

138 እቲ 46 ናይ ብሉይ ኪዳን መጻሕፍትን፣ 27 ናይ ሓዲስ ኪዳን መጻሕፍትን፡ ብኣስተንፍሶ መንፈስ ቅዱስ ዝተደርሰ ከም ምዃኑ መጠን፣ ቤተክርስትያን ትቕበሎን፡ ዚግባእ ክብሪ ትህቦን።

139 ኢየሱስ ክርስቶስ ዓንዲማእከሉ ስለዝኾነ ከኣ፣ ኣርባዕቲኡ ወንጌል ማእከላይ ቀንዲ ቦታ ይሕዝ።

140 ናይ ክልቲኡ ኪዳን (ብሉይ፡ ሓዲስ) ሓድነት ካብʼቲ ናይ መደብ ኣምላኽን ግልጸቱን ሓድነት ዝፈልፈለ እዩ። ብሉይ ኪዳን ንሓዲስ ኪዳን መንገዲ የሰናድወሉ፤ ሓዲስ ኪዳን ድማ ብወገኑ ንብሉይ ፍጻሜ የምጽኣሉ፣ ክልቲኡ ከኣ ነንሓድሕዱ ይበራራህ፣ ክልቲኡ ኡነተይና ቃል-ኣምላኽ እዩ።

141 "ቤተክርስትያን፡ ከምʼቲ ንናይ ጐይታና ሥጋሁ ወደሙ እትህቦ ክብሪ፣ ንመለኮታዊ ጽሑፋት ድማ ወትሩ ምስ ኣኽበረቶ እያ" (ቃል ኣምላኽ DV. 21)። ክልቲኡ ከኣ ንመላእ ክርስትያናዊ ሕይወት ዚምግብን ዚመርሕን እዩ። "ቃልካ ንስጕምተይ መብራህቲ፣ ንመንገደይ ከኣ ብርሃን እዩ" (መዝ.119፡ 105፡ ኢሳ.50፡4)።

# ምዕራፍ ሠለስተ

# ንኣምላኽ ዝተዋህበ፣ ምላሽ ሰብ

**142** ብግልጸቱ ገቢሩ፣ "እቲ ዘይረኤ ኣምላኽ ካብ ምልኣት-ፍቕሩ ተበጊሡ፣ 1102
ንሰባት መጠን ኣፍቀርቱ ይዛረቦም፣ ፈተውቱን ተሳተፍቱን ንኪኾኑ፣ ኪጽውዖምን
ኪቕበሎምን ኢሉ፡ ኣብ መንጎኦም ኪንቀሳቐስ ይርከብ"።[1] ነዚ ናይ ኣምላኽ
መጸዋዕታ ዚኸውን ብቑዕ ምላሽ፣ እምነት እዩ።

**143** ብእምነት እምበኣር፦ ወድሰብ ንድልየቱን ኣእምሮኣዊ ክእለቱን 2087
ብምሉኡ ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሔር የንብሮ።[2] ወድሰብ ምሉእ ህልውናኡን
ኵነቱን ነቲ ርእሱ ዝገለጸሉ ኣምላኽ ከረክብ ይርከብ። ናይ ግልጸት ዋና ንዝኾነ
እግዚኣብሔር ዚወሃብ ሰብኣዊ ምላሽ፣ቅዱስ መጽሓፍ "ተኣዝዞ-እምነት" ይብሎ።[3]

## ኣንቀጽ 1
## ኣኣምን ኣሎኹ

### I. ተኣዝዞ እምነት

**144** ብእምነት ምትእዛዝ (ተኣዛዚ ምዃን) ማለት፣ ሓቂ ብቐንዳ ዝኾነ እግዚኣብሔር፡ ውሕስነት (ርግጽነት) ንዝገበረሉ ቃል-ሓቂ ሰሚዕካ ናጻ ብዝኾነ መንፈስን ድልየትን ምቕባሉ ማለት እዩ። ብቅዱስ መጽሓፍ ዚወሃበና ከም'ዚ ዝበለ ናይ ተኣዝዞ-እምነት ኣብነት፣ ኣብርሃም እዩ። ናይ'ዚ ፍጹምን ግሁድን ኣርኣያ ድማ ድንግል ማርያም እያ።

### ኣብርሃም "ኣቦ ኵሎም ኣመንቲ"

**145** *መልእኽቲ ዕብራውያን፡* ንእምነት ቀዳሞት ኣበው እስራኤል ብውዳሴ 59: 2570
ኪዝክር ከሎ፡ ኣብ ናይ ኣብርሃም እምነት ፍሉይ ኣተኵሮ ይገብር፤ "ኣብርሃም 489
ምስተጸወዐ፡ ብእምነት ተኣዘዘ፣ ናበይ ከምዚኸይድ ከይፈለጠ'ውን ርስቲ ኪቕበለሉ

---

[1] *ቃል-ኣምላኽ* DV 2፣ *ቆላ*1፡15፣ 1*ጢሞ* 1፡17፣ *ዘጸ* 33፡11፣ *ዮሓ*15፡14-15፣ Bar 3፡38 (Vulg.). *ረአ*
[2] *ቃል-ኣምላኽ* DV 5 *ረአ*
[3] *ሮሜ*1፡5፣ 16፡26 *ረአ*

ናብ ዝነበሮ ሃገር ከደ።"[4] ኣብታ ምድሪ-ተስፋ ከም ጓናን መንገደይናን ኮይኑ ዝተቐመጠ ኸኣ ብእምነት እዩ።[5] ሣራ'ውን እንተኾነት ነቲ ወዲ-ተስፋ ክትጸንስ ዝኸኣለት ብእምነት እያ። ኣብርሃም ነቲ ሓደ ወዱ መሥዋዕቲ ገቢሩ ዘቕረቦ ብእምነት እዩ።[6]

**146** እነሆ እምበኣር፡ እቲ ኣብ ዕብ.11፡1 ዘሎ "እምነት፡ ነቲ ብተስፋ
1819 እንጽበዮ ነገር ከምንረኽቦ ዜረጋግጽ፣ ነቲ ዘይረአ ነገር ከኣ ከምዘሎ ዜረድእ እዩ"[7] ዚብል ትርጓሜ-እምነት ኣብ ኣብርሃም ተፈጺሙ ንረኽቦ። "ኣብርሃም ብእግዚኣብሔር ኣመነ'ሞ፣ እዚ ጽድቂ ኮይኑ ተቘጽረሉ"[8]። ኣብርሃም "ብእምነት ድልዱል" ስለዝነበረ "ኣቦ ኵሎም ኣመንቲ" ኪኸውን ከኣለ።[9]

**147** ብሉይ ኪዳን ከምዚ ናይ ዝበለ እምነት፡ ሃብታም ምስክርነት
839 የቕርበልና። መልእኽተ ዕብራውያን ናይ'ቶም "ብኣምላኽ ዝተመስከረሎም"[10] ቀዳሞት፣ ኣብነታዊ እምነት ዝከረ-ውዳሴ ብወግዒ ይነግር። እንተኾነስ፡ "ንኣና ዚኸውን ዝበለጸ ነገር፡ እግዚኣብሔር ኣቐዲሙ ኣሚሙዎ ነይሩ"፣ እዚ ኸኣ ኣብቲ "ናይ እምነትና ጀማርን ፈጻምን[11] ዝኾነ ወዱ ኢየሱስ ናይ ምእማን ጸጋ እዩ።

## ማርያም፣ "እታ ዝኣመነት ብፅዕቲ እያ"

**148** ነዚ ተኣዝዞ-እምነት ብዝበለጸ ፍጽምና ኣብ ሕይወታ ዘወሃሃደት
494 ድንግል ማርያም እያ፤ "ንእግዚኣብሔር ዚሰኣኖ ነገር ከምዘየሎ" ብምእማን
2617 "እኔኹ ኣነ ባርያ-እግዚኣብሔር እየ፣ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ"[12] ብዚብል
506 ቃላት ፍቓደይና ምኻና ብምግላጽ፣ ነቲ ብገብርኤል መልኣኽ ኣቢሉ ዝመጽአ ቃል-ብሥራትን ቃል-ተስፋን ብእምነት ተቐቢላቶ። "እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተነግረኪ ቃል ከምዚፍጸም ስለዝኣመንኪ ብፅዕቲ ኢኺ"[13] ክትብል ድማ ኤልሳቤጥ ሰላምታኣ ኣቕረበትላ። በዚ እምነት'ዚ ከኣ እዩ፡ ኩሎም ወለዶታት ንማርያም ብፅዕቲ ኪብሉ ዚጽውዕዋ።[14]

[4] ዕብ 11፡8፣ ዘፍ 12፡1-4 ረአ
[5] ዘፍ 23፡4 ረአ
[6] ዕብ 11፡17 ረአ
[7] ዕብ 11፡1
[8] ሮሜ 4፡3፣ ዘፍ 15፡6 ረአ
[9] ሮሜ 4፡11፣ 18፣ 4፡20፣ ዘፍ 15፡5 ረአ
[10] ዕብ 11፡2፣ 39
[11] ዕብ 11፡40፣12፡2
[12] ሉቃ 1፡37-38፣ ዘፍ 18፡14 ረአ
[13] ሉቃ 1፡45
[14] ሉቃ 1፡48 ረአ

149 ኢየሱስ ወዳ ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ ክሳብ ዝሞተላ ፈታኒት 969
ሰዓት[15]፣ ኣብ መላእ ሕይወታ፡ እምነት ማርያም ፈጺማ ነቕ ኣይበለትን። ቃል- 507: 829
ኣምላኽ ኪፍጸም ምኧኑ እንካብ ምእማን ፈጺማ ኣየቋረጸትን። ምእንትʼዚ ከኣ ቤተክርስትያን ኣብ ድንግል ማርያም፡ ናይ እምነት ጽኑዕን ግብራውን ኣብነትን ተፍጻሜትን ክትርእን ከተኽብርን ትርከብ።

## II. "ኣብ መን ከምዝኣመንኩ እፈልጥ እየ"[16]

## ኣብ ኣምላኽ ጥራሕ ምእማን

150 እምነት ኪበሃል ከሎ፣ ቅድሚ ኹሉ ሰብ ኣብ ኣምላኽ ዘለዎ ውልቃዊ 222
ምጽጋዕ እዩ። ምስʼዚ ድማ፡ ካብኡ ተፈልዩ ኪረአ ዘይክእል፣ ነቲ እግዚኣብሔር ዝገለጾ ምልኣት-ሓቂ ብናጻ ድልየት ምቕባሉ፣ እምነት እዩ። ኣብ ኣምላኽ ዚግበር ውልቃዊ ምጽጋዕ፡ ከምኡʼውን ንሓቅታቱ ደሊኻ ምቕባል ስለዜስምዕ፡ ናይ ክርስትያን እምነት፣ ካብቲ ኣብ ልዕሊ ሰባት ዚህልወና እምነት ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ። ርእስኻ ብኹለንትናኡ ናብ ኣምላኽ ምውዳቑ (ምምዕቃቡ) ከምኡʼውን ነቲ ንሱ ዚብለካ ከይተጠራጠርካ ምቕባሉ ቅኑዕን ርቱዕን እዩ። ከምʼዚ ዝዓይነቱ እምነት ኣብ ልዕሊ ፍጡር ምግባር ግን ረብሓ ዘይርከቦን ፈጺሙʼውን ግጉይ እዩ።[17]

## ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ-እግዚኣብሔር ምእማን

151 ንሓደ ክርስትያን ኣብ እግዚኣብሔር ምእማን፣ ኣብʼቲ ንሱ ባዕሉ 424
ዝለኣኾ "ፍቁር ወዱ"፣ ኣብʼቲ ኣቦ "ዝሠመረሉ" ካብ ምእማን ፈሊኻ ዚረአ ኣይኮነን። እግዚኣብሔር ስምዕዎ ኢሉና ኣሎ።[18] ጐይታ ባዕሉʼውን ንተመሃሮቱ "ኣብ እግዚኣብሔር እመኑ፣ ኣባይʼውን እመኑ"[19] ኢሉዎም። ንሱ ንባዕሉ፡ ኣምላኽ፣ ሥጋ ዝለበሰ ቃል (ኣምላኽ) ስለዝኾነ፡ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንኣምን ንኽእል ኢና፤ "ንኣምላኽ ዝረኣዮ ሓደʼኳ የልቦን፣ እንተኾነ እቲ ኣብ ሖቕፊ-ኣቦ ዘሎ፡ እቲ በይኑ ውሉድ ዝኾነ ንኣምላኽ ገለጾ"[20]። ኢየሱስ ክርስቶስ "ነቦ

[15] ሉቃ 2፡35 ረአ
[16] 2ጢሞ 1፡12
[17] ኤር 17፡5-6፣ መዝ 40፡5፣ 146፡3-4 ረአ
[18] ማር 1፡11፣ 9፡7 ረአ
[19] ዮሓ 14፡1
[20] ዮሓ 1፡18

ዝረአዮ” ስለዝኾነ፣ ንሱ ንብሕቱ ጥራሕ እዩ ዚፈልጦን፣ ንኻልእ ኬፍልጦን ዚኽእል።[21]

## ኣብ መንፈስ ቅዱስ ምእማን

**152** ኣብ'ቲ (ቅዱስ) መንፈሱ ሱታፌ ከይሃለዎ፡ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ
243 ኪኣምን ዚኽእል የልቦን። ኢየሱስ መን ምዃኑ ንሰባት ዚገልጾሎም ከኣ መንፈስ
683 ቅዱስ እዩ። መንፈስ ኣምላኽ እምበር ነቲ ኣብ ኣምላኽ ዘሎ ሓደ'ኳ ዚፈልጦ ስለዘየልቦ፣ “ንመዓሙቕ-ኣምላኽ'ውን ከይተረፈ ንኹሉ ብዚምርምር “መንፈስ[22] ቅዱስ እንተዘይኮይኑ” ኢየሱስ ጐይታ[23] ኪብል ዚኽእል የለን። ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ንኣምላኽ ብምልኣት ኪፈልጦ ዚኽእል። ኣምላኽ ስለዝኾነ ከኣ፡ ንሕና ኣብ መንፈስ ቅዱስ ነኣምን።

ኣብ'ዚ ሓደ ኣምላኽ፡ ኣብ፡ ወልድ፡ መንፈስ ቅዱስ ዘለዋ እምነት
232 እንካብ ምግላጽ፡ ቤተክርስትያን ፈጺማ ኣይከተቋርጽን እያ።

# III. ዓይነተይና ባሕርያት-እምነት

## እምነት ጸጋ እያ

**153** ኢየሱስ፡ እቲ ቅቡዕ ወድ'ቲ ሕያው ኣምላኽ ምዃኑ ቅዱስ ጴጥሮስ
552 ምስተኣመነ፣ እዚ ግልጸት'ዚ “ካብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ” እንተዘይኮይኑ “ካብ
1814 ሥጋን ደምን” ኣይመጸካን[24] ኪብል ብኡብኡ ኢየሱስ ብወግዒ ኣወጀሉ። ስለ'ዚ
1996 እምነት ናይ ኣምላኽ ህያብ ኮይኑ፣ንሱ ባዕሉ ዘሥርጾ መልዕልተ ባሕርያዊ ኃይሊ
2606 እዩ። ወድሰብ ነዚ እምነቱ ኣብ ግብሪ ቅድሚ ምውዓሉ ናብኡ ገጹ ንኺንቀሳቐስ ዚሕግዞ ጸጋ-ኣምላኽ የድልዮ። ንልቢ ኣንቀሳቒሱ ናብ እግዚኣብሔር ዚመልሶ፣ ንኣዕይንቲ-ልቦናኡ ከፊቱ ሓቂ ንምቕባልን ንምእማንን ዘኽእሎ[25] ናይ መንፈስ ቅዱስ ውሽጣዊ ሓገዝ ይደሊ።

---

[21] ዮሓ 6:46፣ ማቴ 11:27 ረአ
[22] 1ቆሮ 12:3
[23] 1ቆሮ 2:10-11
[24] ማቴ 16:17፣ ገላ 1:15፣ ማቴ 11:25 ረአ
[25] ቃል-ኣምላኽ DV 5፣ ደንዚንገር DS 377፣ 3010 ረአ

## እምነት ሰብኣዊ ተግባር እያ

**154** ግብረ-እምነት ዚፍጸም፡ ብጸጋን፡ በቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ውሽጣዊ 1749
ሓገዝን ጥራሕ እዩ፣ ግና ኸኣ እምነት ውፁእ ሰብኣዊ ተግባር ምዃኑ ኣንኢስካ 2126
ዚረአ ሓቂ ኣይኮነን። ኣብ እግዚኣብሔር እምነትካ ምውዳቕ፣ ነቲ ንሱ ዝገለጾ
ሓቅታት ሓንጐፋይ ኢልካ ምቕባል ድማ፣ ንናይ ወድሰብ ናጽነት ኮነ ኣእምሮ
ዚፃረር ኣይኮነን። ኣብ ሰብኣዊ ርክባት'ውን እንተኾነ፡ ካልኦት ሰባት ብዛዕባ
ርእሶም ኮነ መደባቶም እንኪነግሩና ምእማኖም፣ ንኽብርና ዚትንክፍ ኣይኮነን፤
ወይ ከኣ ንኣብነት፣ ሰብኣይን ሰበይትን ኪዳን እንኪኣትዉ፡ ኣብ ሓድሕዶም
ኅቡርን ሥሙርን ሕይወት ኪነብሩ ንዚመሓሓልዎ ምእማን ተጻይ ክብሪ-ሰብ
ኣይኮነን። እዚ ከም'ዚ ካብ ኮነ፣ "ብእምነት ተደሪኽና፣...ነቲ ርእሱ ዚገልጽ
ኣምላኽ ኣእምሮናን ድልየትናን ከነግዝእ ከሎና"[26] እሞ ምስኡ ኣብ ውሽጣዊ
ሱታፌ ክንኣቱ ከሎና፣ ንሰብኣዊ ክብርና ዚፃረር ኣይኮነን።

**155** ኣብ መደብ-እምነት፣ ሰብኣዊ ኣእምሮን ድላይን ምስ መለኮታዊ ጸጋ 2008
ይተሓባበሩ፤ "ግብረ-እምነት ኪበሃል ከሎ፣ ብድላይ ተማሪኹ፡ ብጸጋ-ኣምላኽ
ተደሪኹ፡ ንመለኮታዊ ሓቂ ናይ ዚቕበል ኣእምሮ ስራሕ እዩ"[27]።

## እምነትን ኣእምሮን

**156** ነኣና፡ ንክንኣምን ዚድርኸና፡ እቲ ዝተገልጸ ሓቅታት ብርእሱ 1063
ብባሕርያዊ ኣእምሮና ዚርዳእ ሓቂ ኮይኑ ስለዚቐርበልና ዘይኮነስ፣ "ኪጋገን 2465
ከጋግን ኣብ ዘይኽእል፡ ነቲ ሓቅታት ኣብ ዝገለጸሉ ናይ እግዚኣብሔር ሥልጣኑ 548
ተመርኲስና" ኢና እንኣምን።[28] ምእንት'ዚ ከኣ፡ እዚ ብእምነት ኣብ ትሕቲኡ 812
እንኾነሉ ኣገባብ ምስ መደብ-ኣእምሮ ዘይላዘብ ኪኸውን ስለዚኽእል፣ እቲ ናይ
ግልጸቱ ዚረአ ግዙፍ (ምልክታት) መረዳእታ ምስቲ ውሽጣዊ ናይ መንፈስ
ቅዱስ ሓገዝ ኪጣመር ድላይ እግዚኣብሔር እዩ።[29] ምእንት'ዚ ከኣ ናይ ክርስቶስን
ቅዱሳኑን ተኣምራት፣ ከምኡ'ውን ትንቢታት፣ ናይ ቤተክርስትያን ዕቤትን
ቅድስናን፣ ርግኣታን ፍርያምነታን ኩሉ፣ "ምስ ናይ ኩሉ ርድኢት ዚሰማማዕ
ኮይኑ ዝተሠርዐ፡ ናይ'ቲ ርግጸይና መለኮታዊ ግልጸት ትእምርታትን ምልክታትን"
እዩ። እዚ ኩሉ "ንእምነት ዚድርኽ"፣ ንእምነት ምቕባል ከኣ "ኣብ ልዕሊ ኣእምሮ
ዚፍጸም ዕዉር ድፍኢት ከምዘይኮነ ዜርኢ እዩ"[30]።

---

[26] *ወልደ-ኣምላኽ* Dei Filius 3፡ *ደንዚንገር* DS 3008
[27] *ቅ.ቶማስ ኣኵናስ* STh II-II, 2, 9፣ *ወልደ-ኣምላኽ* Dei Filius 3፡ *ደንዚንገር* DS 3010
[28] *ወልደ-ኣምላኽ* Dei Filius 3፡ *ደንዚንገር* DS 3008
[29] *ወልደ-ኣምላኽ* Dei Filius 3፡ *ደንዚንገር* DS 3009
[30] *ወልደ-ኣምላኽ* Dei Filius 3፡ *ደንዚንገር* DS 3008-10፣ *ማር*፡ 16፡20፣ *ዕብ* 2፡4 *ረአ*

**157** *እምነት ርግጽ እዩ፦* ኣብ'ቲ ዘይሕሱ ቃል-ኣምላኽ ዝተመሥረተ
2088 ስለዝኾነ እምነት፡ ልዕሊ-ኹሉ ሰብኣዊ ፍልጠት ኣዝዩ ርግጽ እዩ። ብርግጽነት
ንምዝራብ፣ እቲ ዝተገልጸ ሓቅታት ነእምሮናን ተመክሮናን ዘይርዳእ መሲሉ
ኪረአ ዚኽእል ደኣ ይኹን'ምበር፣ "እቲ መለኮታዊ ብርሃን ዚህበና ርግጽነት፣
ካብ'ቲ ባሕርያዊ ኣእምሮና ዚህበና ብርሃን ኣዝዩ ዝዓበየን ዝበለጸን እዩ"[31]።
"ዓሠርተ ሺሕ ዚኣክል ግድላት ተኣኻኺቡ ክንዲ ሓንቲ ጥርጣረ ኣይከውንን
እዩ"[32]።

**158** *እምነት መረዳእታ የድልዮ፦*[33] ሓደ ኣማኒ ነቲ እምነት ዘንበረሉ
2705 (ኣምላኽ) ብዝበለጸ ኣጸቢቑ ኪፈልጦ፣ ነቲ ንሱ ዝገለጸሉ ከኣ ኣጸቢቑ ኪርድኦ
1827 እንተበሃገ፡ እዚ ናይ እምነት መሠረታዊ ዝንባሌ እዩ። እቲ ኣዕሚቑ ዚኸይድ
90 ፍልጠት ብወገኑ ቀጺሉ ብፍቕሪ ዚቃጸል ዝዓበየ እምነት የሓትት። ናይ ትሕዝቶ-
2518 ግልጸት ሕያው ዝኾነ ርድኢት ምእንቲ ከነጥሪ፡ እቲ ጸጋ እምነት "ነዕይንቲ-
ልባትና"[34] ይኸፍቶ። እዚ ዝተባህለ ትሕዝቶ-ግልጸት ከኣ፣ ምልኣት መለኮታዊ
መደብን፣ ምሥጢራት-እምነትን፣ ኣብ ነንሕድሕዶምን፣ ናይቲ ዝተገልጸ ምሥጢር
(ድኅነት) ዓንደማእከል ምስ ዝኾነ ክርስቶስ ዘለዎምን ርክብ እዩ። "ግልጸት
ብዝበለጸን ዝዓመቔን ኣገባብ ርዱእ እናኾነ ምእንቲ ኪኸይድ፣ መንፈስ ቅዱስ
ባዕሉ ንእምነት ቀጻሊ ፍጽምና ንምሃብ ጸጋታቱ ይዕድል"[35]። ብናይ ቅዱስ
ኣጕስጢኖስ ቃላት ንምግላጹ፦ "ምእንቲ ክርድኦስ ኣኣምን ኣሎኹ፣ ክርድኦ
ዝደሊ ኸኣ፡ ብዝበለጸ ንኸኣምን ኢለ እየ"[36]።

**159** *እምነትን ሥነፍልጠትን (ሳይንስን)፦* "እምነት ክንየው (ልዕሊ) ኣእምሮ
283 ዚኸይድ'ኳ እንተኾነ፣ ኣብ መንጎ ኣእምሮን እምነትን ግን ዝኾነ ይኹን ግርጭት
2293 ኪህሉ ኣይክእልን። እቲ ምሥጢራቱ ዝገለጸን፣ እምነት (ኣብ ሰባት) ዘሰረጸን
ኣምላኽ፣ ንሱ ባዕሉ ድማ ኣብ ሰብኣዊ ኣተሓሳስባ፡ ብርሃነ-ኣእምሮ ዘብረሀ
ስለዝኾነ፣ ኣምላኽ ባዕሉ ንባዕሉ ኪነጽግ ዘይከኣል እዩ፤ ሓቒ ከኣ ምስ ሓቒ
ብርእሳ ፈጺማ ኣይትጋጮን እያ።"[37] "ምእንት'ዚ፣ ሓንትስ ብቕኑዕን ብቑዕን
ሥነፍልጠታዊ ኣገባብ ደኣ ይመራሕ፣ ሞራላዊ ሕግታት ከኣ ዝሓለወ ይኹን
እምበር፣ ብልኃተይና ምርምር ምስ መደብ እምነት ኪጋጮ ፈጺሙ ኣይክእልን
እዩ፤ ምኽንያቱ ከኣ፡ ናይ'ዚ ተፈጥሮ'ዚ ነገራት ኮነ፣ እቲ ናይ እምነት ኵነታት
ኩሉ ካብ'ቲ ሓደ ኣምላኽ ዚመጽእ እዩ። እቲ ትሕትና ለቢሱ ብጽንዓት ብናይ
ተፈጥሮ ምሥጢራት ዚመራመር ሰብ፣ ድኻምነቱ ብዘየገድስ፣ ኢድ-ኣምላኽ እያ

---

[31] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II, 171, 5, obj. 3.
[32] ካርዲናል ሄንሪ ኒዩማን Apologia pro vita sua (London፡ Longman, 1878), 239.
[33] ቅ.ኣንሰልሞ Prosl. prooem.፡ PL 153, 225A.
[34] ኤፌ. 1፡18
[35] *ቃል-ኣምላኽ* DV 5
[36] ቅ.ኣጕስጢኖስ Sermo 43, 7, 9፡ PL 38, 257-258
[37] *ወልደ-ኣምላኽ* Dei Filius 4፡ *ደንዚንገር* DS 3017

እትመርሖ፣ ከመይሲ እቲ ንኹሉ ነገር ከምቲ ዘለዎ ገቢሩ ዝሰርሖ፡ እቲ ዚሕልዎን ዚሓልየሉን እግዚኣብሔር እዩ።”[38]

## ናጽነት እምነት

**160** “ንእግዚኣብሔር ዚወሃብ ናይ እምነት ምላሽ…” ብሓቂ ሰብኣዊ (ተግባር) ንኪኸውን፣ “ናጻ ኪኸውን ይግበኦ…እምነት ብዘይድልየቱ ብኃይሊ ኪቕበል ዚግደድ ሰብ ኪህሉ የብሉን። ስለዚ ከኣ ግብረ-እምነት ብባሕሪኡ ናጻ ዝኾነ ተግባር እዩ።”[39] “እግዚኣብሔር ድማ፡ሰባት ብመንፈስን ብሓቅን ከገልግልዎ እዩ ጸዊዑዎም። ምእንት'ዚ ከኣ፡ ብኅሊና ምስኡ ዝተኣሳሰሩ እዮም፣ ግና ኣይግደዱን እዮም…። እዚ ሓቅ'ዚ ብኢየሱስ ክርስቶስ ብምልኣቱ ተገሊጹ ይርከብ።”[40] ብሓቂ'ውን ክርስቶስ ንሰባት፡ ናብ እምነትን ንስሓን (ምምላስን) ዓዲሙዎም፣ግና ፈጺሙ ኣየገድዶምን እዩ። “ንሓቂ ደኣ ምስክርነቱ ሃበ'ምበር፣ ነቶም ተጻይ ዚዛረቡ ዝነበሩ ኣገዲዱ ነዛ ሓቅ'ዚኣ ብኃይሊ ኪቕበሉ ኣይገበረን። መንግሥቱ ኸኣ…ክርስቶስ ኣብ መስቀል ልዕል ምስበለ ንሰባት ናብ ርእሱ ብዚስሕበሉ ፍቕሪ እያ እትዓቢ”።[41] 1738 3106 616

## ናይ እምነት ኣድላዪነት

**161** ብኢየሱስ ክርስቶስን፣ ንድኅነትና ኢሉ ነኣኡ ብዝለኣኸን (እግዚኣብሔር) ምእማን ንድኅነት ኣድላዪ እዩ።[42] ብዘይካ ብእምነት ንእግዚኣብሔር ከተሐጉስ ኮነ፣ ናይ ውሉድነት ሱታፌ ምርካብ ዘይከኣል ስለዝኾነ፡ “እቲ ክሳብ መወዳእታ (ብእምነት) ዝተዓገሠ እንተዘይኮይኑ”[43] ብዘይ እምነት ጽድቂ ኪጭብጥ ይኹን፣ ሕይወት-ዘለዓለም ኪወርስ ዚኽእል የልቦን። 432: 1257 846

## ኣብ እምነት ምጽናዕ

**162** እምነት፣ እግዚኣብሔር ንወድሰብ ብናጻ ዚልግሠሉ ህያብ (ጸጋ) እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ከምዘመልከተሉ፡ “ተቢዕካ ተዋጋእ፣ እምነትን ንጹሕ ኅሊናን ሓዝ። ገሊኦም ሰባት ንኅሊናኦም ብዘይምትእዛዝ፡ ንእምነቶም ከምታ 2089 1037: 2016 2573: 2849

---

[38] ፍሥሓን ተስፋን GS 36 § 1
[39] ክብሪ-ሰብ DH 10፣ cf. CIC, can 748 § 2.
[40] ክብሪ-ሰብ DH 11
[41] ክብሪ-ሰብ DH 11፣ ዮሓ.18፡37፣12፡32 ረአ
[42] ማር 16፡16፣ ዮሓ 3፡36፣ 6፡40 et al. ረአ
[43] ወልደ-ኣምላኽ Dei Filius 3፡ ደንዚንገር DS 3012፣ ማር 10፡22፣ 24፡13 ፣ ዕብ 11፡6፣ ጉባኤ ትረንቶ፡ ደንዚንገር DS 1532 ረአ

ብማዕበል እትጠፍእ መርከብ የዕንዉዎ"፣[44] ምእንት'ዚ ነዛ ብዋጋ ዘይትትመን ህያብ ከነጥፈኣ ዚከኣል እዩ። ኣብ'ዛ እምነት'ዚኣ ንምንባርን ንምዕባይን፡ ክሳብ መወዳእታ'ውን ጸኒዕካ ንምቕጻልን ግን፡ ብቓል-ኣምላኽ ክንምገብ የድልየና፤ እምነት ንኪውስኸልና ንጐይታ ክንልምን ይግባእ፣[45] ኣብ እምነት ቤተክርስትያን ዝተሠረተት፡ ብፍቕሪ እትዓዪን ብተስፉ እትድልድልን ክትከውን ይግበኣ።[46]

## እምነት፣ መባእታ ዘለዓለማዊ ሕይወት

**163** ናይ'ዚ ምድራዊ ራእይ ጕዕዞና ዕላማ ንዝኾነ ናይ ብፁዓዊት ሕይወት
1088 ብርሃን ኣቐዲምና ከምነስተማቕሮ እትገብረና እምነት እያ።ሻቡ ምስ እግዚኣብሔር
"ገጽ ንገጽ" ኮይንና "ከምቲ ኰነቱ" ክንርእዮ ኢና።[47] ምእንት'ዚ፡ እምነት ድሮ
ናይ ሕይወት-ዘለዓለም መባእታ እያ።

> ሕጂ እውን እንተኾነ፣ ኣብ ቅድሚ መስትያት ከምዝቖምና ኾይንና፣ ነቲ ናይ እምነት በረኸት (ጸጋታት) ከነስተንትን ከሎና፣ ሓደ መዓልቲ በኣኡ ክንሕጐስ ከም ዘሎና እምነትና ንእተረጋግጸና ዘደንቕ ነገራት ብሕጂኡ ከምዝጨበጥናዮ እዩ። *48*

**164** ዝኾነ ኾይኑ፣ ሕጂ "ብትርኢት (ምርኣይ) ዘይኮነስ ብእምነት ኢና
2846 ንንቀሳቐስ"[49]፣ ንእግዚኣብሔር'ውን "ከም ኣብ መስትያት ብደብዛዝ" እሞ ኸኣ
309 "ብኸፊል"ኢና እንርእዮ።[50] እምነት በቲ እትኣምኖ በሪሃ እትካየድ'ኳ እንተኾነት፣
1502 እምነት ዳርጋ ኩሉ ግዜ ኣብ ጸልማት እያ እትርከብ፣ ክትፍተን'ውን ትኽእል
1006 እያ። መብዝሕትኡ ግዜ ድማ እዛ እንነብረላ ዓለም፡ካብቲ ብእምነት እንትስፈዎን
እነማዕድዎን ኣዝያ ዝተፈልየት መሲላ ትረአ። እቲ ብዛዕባ ክፍኣትን ሥቓያትን፡
ብዛዕባ ግፍዕን ሞትን ዘሎና ተመክሮን ትዕዝብትን ከኣ ምስቲ ጥዑም ዜና
(ወንጌል=ብሥራት) ዚገራጮ ይመስል፤ እዚ ኹሉ ንእምነት ተፈታቲኑ ኪነቓንቖ
ዚኽእል እዩ።

**165** ሽዑ ኢና እምበኣር ናብቶም መሰኻኽር-እምነት ዝኾኑ ከነቕልብ
2719 ዚግበኣና። "ተስፉ ኣብ ዘይብሉ ተስፉ ዝገበረ"[51] ኣብርሃም፣ ጸልማት ኣብ
ዘንጸላለዎ ናይ ወዳ ሥቓያትን ሞትን ብምስታፍ፡ ኣብቲ "ናይ እምነት ንግደታ
(ጉዕዞኣ)" በቲ "ጸልማት ዘንጸላለዎ እምነት"[52] ዝተጓዕዘት ማርያም፣ ከምኡ'ውን

---

[44] 1ጢሞ 1፡18-19
[45] ማር 9፡24፣ ሉቃ 17፡5፣ 22፡32 ረአ
[46] ገላ 5፡6፣ ሮሜ 15፡13፣ ያዕ 2፡14-26 ረአ
[47] 1ቆሮ 13፡12፣ 1ዮሓ 3፡2
[48] ቅ.ባስልዮስ De Spiritu Sancto,15,36፡PG 32,132፣ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II,4,1 ረአ
[49] 2ቆሮ 5፡7
[50] 1ቆሮ 13፡12
[51] ሮሜ 4፡18
[52] ብር.ኣሕ.LG 58፣ ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ RM 18

ካልኦት ብዙኃት ኣለዉ፣ ናብ'ዚኣቶም ነቕልብ። "ምእንት'ዚ እምበኣር ኣብ ትሕቲ ከም'ዚ ዝበለ ዕዙዝ ደመና-ምስክርነት ኣጽሊልና፣ ነቲ ጠቢቑና ዚርከብ ዝኾነ ዓይነት ክብደት-ኃጢኣት ከነወግድ ንተዓጠቕ፤ ናይ እምነትና ጀማርን ፈጻምን ንዝኾነ ኢየሱስ ኣማዕዲና እናጠመትና፣ ኣብ ቅድሜና ተሰጢሑ ብዘሎ መንገዲ ብጽንዓትን ብትዕግሥትን ንጐየ።"[53]

# ኣንቀጽ 2
# ንሕና ነኣምን ኣሎና

166 እምነት ሰብኣዊ ናይ ውልቂ ተግባር እዩ። ርእሱ ንሰባት ንዝገለጸ ኣምላኽ ብወገን ውልቀሰብ ዚወሃብ ናጻ ምላሽ እዩ። እንተኾነ ግን እምነት ካብ ካልእ ተነጺሉ ዚረአ ተግባር ኣይኮነን። በይኑ ዚነብር ከምዘየልቦ፡ ከምኡ ኸኣ በይኑ ተነጺሉ ዚኣምን የልቦን። ከምቲ ሕይወት ካብ ባዕልኻ ዘይመጽአ፣ እምነት'ውን ካብ ባዕልኻ ዚመጽእ ኣይኮነን። እቲ ኣማኒ እምበኣር ንእምነት ካብ ካልኦት እዩ ተቐቢሉዋ፣ ብኸምኡ ከኣ ናብ ካልኦት ከመሓላልፋ ይግበኦ። ኣብ ኢየሱስን ኣብ ብጻይናን ዘሎና ፍቕሪ ድማ፣ ንኻልኦት ብዛዕባ እምነትና ክንዛረቦም ይግድደና እዩ። ነፍስወከፍ ኣማኒ እምበኣር፡ ኣብቲ ዝተተሓሓዘ ሠንሰለት ኣመንቲ፡ ከም ሓንቲ ቀለቤት (መራኽቢ) እዩ። ኣብ ናይ ካልኦት እምነት ከይተመርኰስኩ ክኣምን ኣይክእልን፤ ተመሊሰ ድማ ኣነ በታ እምነተይ፡ ንኻልኦት ኣብ እምነቶም ደገፍ ንምኳን እሕግዝ። 875

167 "ኣነ ኣኣምን" ዚብል (ጸሎተ ሃይማኖት ወይ ተኣምኖት ዘሓዋርያት) 1124
እቲ ነፍስወከፍ ኣማኒ በብውልቂ ብፍላይ ኣብ ግዜ ጥምቀቱ ዚገልጾ ናይ ቤት 2040
ክርስትያን እምነት እዩ። "ንሕና ነኣምን" ዚብል (ተኣምኖተ ኒቅያ-ቍስጥንጥንያ) ድማ ኣብ ጉባኤ ዝተኣከቡ ጳጳሳት፣ ወይ ከኣ ብሓፈሻዊ መልክዑ ኣብ ግብረ-ኣምልኾ ዝተጋብኡ ምእመናን ዚገልጽዎ ናይ ቤተክርስትያን እምነት እዩ። "ኣነ ኣኣምን" እውን እንተኾነ፣ ክልቲኡ "ኣነ ኣኣምን" "ንሕና ነኣምን" ንምባል እተስተምህረና፡ ኣደና ቤተክርስትያን ንእግዚኣብሔር ብእምነት እትምልሸሉ እዩ።

## I. ኦ ጐይታ! ንእምነት ቤተክርስትያንካ ጠምት

168 ፈለማ ብምእማን፣ ንእምነተይ እትሕብሕብን እትምግብን፡ እተደልድልን ቤተክርስትያን እያ። ኣብ ኩሉ ቦታ፡ ቅድሚ ኹሉ ንጐይታ እትእመን ቤተ ክርስትያን እያ፦ እቲ "ነኣኻ ንኣምላኽ ንውድስ" ዚብል ማኅሌት ክንዝምር ከሎና 1253

[53] ዕብ 12፡1-2

“ኣብ መላእ ዓለም ዘላ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ብዕልልታ ትቕበለካ”፤ ምስኣን ኣብኣን ብምዃን ኣብ ሓደ ተጠሪፍና “ኣነ ኣኣምን” “ንሕና ነኣምን” ክንብል እምነትና ንገልጽ። እምነትን ኣብ ክርስቶስ እትርከብ ሓዳስ ሕይወትን ብጥምቀት እንቕበል ድማ፣ ብቤተክርስትያን ኣቢልና ኢና።ኣብ ሮማዊ መጽሓፈ ምሥጢራት እቲ ኣጥማቒ፡ ነቲ ንኡሰ ክርስትያን “ካብ ቤተክርስትያን እግዚኣብሔር እንታይ ተሓትት?” ዚብል ሕቶ የቕርበሉ፤ ምላሹ ከኣ “እምነት” እዩ። “እምነትከ እንታይ ትህበካ?” “ሕይወት ዘለዓለም”[54]።

**169** ድኅነት ዚመጽኣና ካብ እግዚኣብሔር ብሕቱ እዩ፤ እንተኾነ ግን፡ ናይ
750 እምነት ሕይወት እንቕበል ብቤተክርስትያን ኣቢልና ስለዝኾነ ንሳ ኣዴና እያ፤
2030 “ቤተክርስትያን ከም ናይ ድኅነትና ፈጻሚት (ገባሪት) ዘይኮነትስ፣ ብወገን'ቲ
ሓዲስ ልደትና ኣደ ምዃና ኢና እነኣምን”[55]። ኣዴና ብምዃን ኸኣ፣ ኣብ መደብ
እምነት መሃሪትና'ውን እያ።

## II. *መግለጺ እምነት*

**170** ኣብ'ቲ ዚገልጾ እሞ ኸኣ ብእምነት ክንድህስሶ እንኽእል ህልው
186 ነገራት እንተዘይኮይኑ፣ ኣብ ቀመራት (ፎርሙላ) ኣይኮናን እነኣምን። “ናይ'ቲ
ኣማኒ ተግባር (እምነት) ከኣ፡ መወዳእታ ዕላማኣ ኣብቲ ኃይለ-ቃላት ዘይኮነስ፣
ኣብቲ በኣኡ ዚግለጽ ህልው ነገራት እዩ።[56] ዝኾነ ኾይኑ ነዚ ህልው ነገራት
ክንትንትኖ ከሎና፣ በቲ ንእምነትና ክንገልጸሉ፣ ንካልእ ክነመሓላልፈሉ፣ ኣብ
ማኅበር ብዝኸሪ ክነኽብረሉ፣ ኣብ ሕይወትና ክነወሃህደሉን ብዝበለጸ ክንነብረሉ፡
ብዜፍቅደልና ናይ እምነት ቀመራት (formulation) ክንሕገዝን ክንጥቀምን ንቡር
እዩ።

**171** እታ “ናይ ሓቂ ዓንድን ዕርድን” ዝኾነት ቤተክርስትያን፡ ነቲ ሓንሳብ
78: 857 ንወትሩ ንቕዱሳን ዝተዋህበ እምነት “ብተኣማንነት ትዕቅቦ”፣ ነቲ ናይ ቃላት-
84: 185 ክርስቶስ ዝኸሪ ትሕልዎ። ንናይ ሓዋርያት ተኣምኖት (ጸሎተ ሃይማኖት) ካብ
ወለዶ ናብ ወለዶ እተመሓላልፎ ንሳ እያ።[57] ሓንቲ ኣደ፣ ኪዛረቡ'ሞ ንኪረዳድኡን
ኪዋስኡን ንደቃ ከምትምህሮም፣ ቤተክርስትያን ኣዴና ድማ ናይ እምነትን
ሕይወት-እምነትን ርድኢት ምእንቲ ከተሕድረልና ነቲ ቋንቋ-እምነት ትምህረና።

---

[54] *ሮማዊ መጽ.ምሥ*. Rite of baptism of adults.
[55] *ፋውስቱስ ዘ-ሪየዝ* De Spiritu Sancto 1, 2፡ PL 62, 11.
[56] *ቅ.ቶማስ ኣኵናስ* STh II-II, 1, 2, ad 2.
[57] 1ጢሞ 3፡15፣ *ይሁዳ* 3

# III. ሓንቲ እምነት

**172** ካብ ኣማኢት ዓመታት ኣትሒዙ፣ ብብዙሕ ቋንቋታት፡ ባህልታት፡ ሕዝብታትን ሃገራት ኣቢላ፡ ቤተክርስትያን ነዛ ሓንቲ እምነት ቀጺላ ክትገልጽ ትርከብ። እዛ እምነት'ዚኣ፡ እታ ካብ'ቲ ሓደ ጐይታ ዝተቐበለታ፣ ብሓንቲ ጥምቀት ዘመሓላለፈታ፣ "ኵሎም ሕዝብታት ሓደ ኣምላኽን ኣቦን ጥራሕ እዩ ዘለዎም" ኣብ ዚብል ርድኢት ዝተመሥረተት እያ።[58] ቅዱስ ኢረነዩስ በዓል ልዮን፡ ነዛ እምነት'ዚኣ እንኪምስክር ከምዚ ዚስዕብ ይብል፦ 813

**173** "ብርግጽ'ውን፣ ቤተክርስትያን፡ ኣብ መላእ ዓለም፡ ወላ'ውን ክሳብ ጫፍ-ምድሪ ዝተዘርግሐት'ኳ እንተኾነት፣ ነታ እምነት ካብ ሓዋርያትን ተኸተልቶምን ብምቕባል፣ ኣብ ትሕቲ ሓደ ናሕሲ ከምዚነብሩ ኮይና ብሓደ መንፈስን ብሓደ ልብን ተኣምን፣ (ብስብከትን እምነትን) ብጥንቃቐ ትሕልዋ፣ ኡንኮ ኣፍ ከምዘለዋ ኮይና ከኣ ነዛ እምነት'ዚኣ ብሓደ ድምጺ ትሰብካ ትምህራ፣ ናብ ዳሕረዎት ከኣ ተመሓላልፋ ኣላ።[59] 830

**174** ኣብ መላእ ዓለም ቋንቋታት'ኳ እንተተፈላለየ፣ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ትውፊት ሓደ እዩ። ኣብ ጀርመን ዘለዋ ኣብያተክርስትያን ካብተን ኣብ ወገን ኢበርያ (ፖርቱጋል-ስጳንያ)፣ ኣብ ዓሌታት ሴልት፣ ኣብ ወገን ምሥራቕ፡ ኣብ ግብፂ፡ ሊብያ ወይ ከኣ ካብ'ተን ኣብቲ ማእከላይ ወገን ዓለም ዝተተኽላ ኣብያተክርስትያን ዝተፈልየት ካልእ እምነት ወይ ትውፊት የብለንን..."[60] "ናይ ቤተክርስትያን መልእኽቲ" ቅንዕትን ጽንዕትን እያ፣ ኣብኣ እታ ኡንኮን ዘይትለዋወጥን መንገዲ-ድኅነት ኣብ ኩሉ ዓለም ትግለጽ"።[61] 78

**175** ነዛ ካብ ቤተክርስትያን ዝተቐበልናያ እምነት ብጥንቃቐ ንዕቅባ ኣሎና። ከመይሲ እዚ ክቡር ዝዋጋኡ መዝገብ፣ ኣብ'ቲ ዝበለጸ መዕቈሪ ተቐሚጡ፣ እናናሳዕ ብዚገብሮ ቀጻሊ ተሓድሶ፡ ነቲ ሒዝዎ ዘሎ ኣቕሓ'ውን ከም ዚሕደስ ይገብሮ፣ እዚ ኸኣ ብስራሕ መንፈስ-እግዚኣብሔር ዚፍጸም ቀጻሊ ተግባር እዩ።[62]

---

[58] ኤፌ 4፡4-6 ረኣ
[59] ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres. 1, 10, 1-2፡ PG 7/1, 549-552.
[60] ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres. 1, 10, 1-2፡ PG 7/1, 552-553.
[61] ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres. 5, 20, 1፡ PG 7/2, 1177.
[62] ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres. 3, 24, 1፡ PG 7/1, 966.

## ብሓጺር

176 እምነት ኪበሃል ከሎ፣ ሰብ ብኹለንትናኡ ናብ'ቲ ርእሱ ዚገልጽ ኣምላኽ ዚገብሮ ውልቃዊ ምጽጋዕ እዩ። እግዚኣብሔር ብቓላቱን ተግባራቱን ገቢሩ ንዝፈጸሞ ርእሰ-ግልጸት ብምሉእ ኣእምሮኻን ድላይካን ምቕባል ማለት እዩ።

177 "ምእማን" እምበኣር፣ ድርብ ኣንፈት ዘለዎ ኮይኑ ናብ'ቲ ኣካልን (person) ናብ'ቲ ሓቅን ዝጠመተ እዩ። ናብ'ቲ ሓቂ ኪበሃል ከሎ፣ ምእንት'ቲ ሓቂ፣ ምስክርነቱ ኣብ ዚህብ ኣካል ተጸጊዕካ (ተኣማሚንካ) ዚግበር እዩ።

178 ኣብ እግዚኣብሔር፡ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እንተዘይኮይኑ ኣብ ሓደ'ኳ ክንኣምን የብልናን።

179 እምነት ካብ እግዚኣብሔር ዚመጽእ መልዕልተ-ባሕርያዊ ህያብ እዩ። ንኺኣምን ድማ፡ ሰብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ውሽጣዊ ሓገዝ የድልዮ እዩ።

180 "ምእማን" ማለት ንሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ዚሰማማዕ ርዱእን ናጻን ዝኾነ ሰብኣዊ ተግባር እዩ።

181 "ምእማን" ማኅበረ-ክርስትናዊ (ናይ ቤተክርስትያን) ተግባር እዩ። እዛ እምነት ቤተክርስትያን ንናትና እምነት ስለትቕድማ፣ ንሳ እያ እትወልዳ፡ እትድግፋን እትምግባን። ቤተክርስትያን ኣደ-ኵሎም ኣመንቲ እያ። "ንቤተክርስትያን ከም ኣዲኡ ዘይርእያ (ዘይሓስባ)፣ ንእግዚኣብሔር ከም ኣቦኡ ኪሓስቦ ኣይክእልን"። (ቅ.ቆጵርያኖስ, De unit. 6: PL 4,519)

182 "ኣብ'ቲ ዝተጻሕፈን ብቓል ዝተመሓላለፈን ቃል-ኣምላኽ ንዘሎ ኵሉ፣ ከምኡ'ውን ብመለኮታዊ ግልጸት ከም ዝመጽአ መጠን ንኽንኣምኖ ቤተክርስትያን ንእትቕርበልና ኵሉ" ነኣምን ኣሎና። (ጳውሎስ 6ይ, CPG, § 20)

183 እምነት ንድኅነትና ኣድላዪ እዩ። "እቲ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድኅን እዩ፤ እቲ ዘይኣመነን ዘይተጠምቀን ግን ኪኰነን እዩ" (ማር.16፡16) ኪብል ጐይታ ባዕሉ ኣረጋጊጹ እዩ።

184 "እምነት፣ ነቲ ኣብ ዚመጽእ ሕይወት ሕጉሳት ኪገብረና ዘለዎ ፍልጠት፡ ኣቐዲምና ሕጂ እነስተማቕረሉ እዩ" (ቅ.ቶማስ ኣኲናስ Comp. Theol. 1,2)

## ጸሎተ ሃይማኖት

| ናይ ሓዋርያት | ናይ ኒቅያ |
|---|---|
| ኣኣምን ብእግዚኣብሔር ኣቦ፣ ኩሉ ዚኽእል ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ፣ | ሰማይን ምድርን፡ ዚረአን ዘይረአን ዝፈጠረ፣ ንኹሉ ዝሓዘ ብሓደ እግዚኣብሔር ኣቦ ነኣምን፤ |
| ብኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ሓደ ወዱ ኣኣምን፣ | ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ ብኢየሱስ ክርስቶስ ነኣምን። ንሱ ብርሃን እንካብ ብርሃን፣ ኡነተይና ኣምላኽ ካብ ኡነተይና ኣምላኽ፡ዝተወልደ'ምበር ዘይተፈጥረ፣ ብመለኮቱ ምስ ኣቦ ትኽክል ዝኾነ፣ ኩሉ በኣኡ ዝኾነ፣ ብዘይ በኣኡ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ ሓደ ነገር'ኳ ዝኾነ ዘየልቦ፣ ምእንታና ምእንቲ ድኅነት-ሰብ ካብ ሰማይ ዝወረደ፡ |
| ንሱ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ተፀንሰ፡ ካብ ድንግል ማርያም ተወልደ። | ብናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ ካብ ቅድስቲ ድንግል ሥጋ ለቢሱ ሰብ ኮነ። |
| ተሣቐየ፣ ኣብ ትሕቲ ሥልጣኑ ንጲላጦስ ጴንጤናዊ ተሰቕለ፡ ሞተ፡ ተቐብረ፣ ናብ ሲኦል ወረደ። | ብዘመን ጲላጦስ ጴንጤናዊ ምእንታና ተሣቐየ፡ ሞተ ተቐብረ፣ |
| ብሣልሳይ መዓልቲ ካብ ሞት ተንሥአ። | ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከም ዝተጻሕፈ'ውን፣ ብሣልሳይ መዓልቲ ካብ ሞት ተንሥአ። |
| ናብ ሰማይ ዓረገ፣ ኣብ የማን ኩሉ ዚኽእል፡ እግዚኣብሔር-ኣቦ ተቐመጠ፡ ድኃር'ውን ዘለዉን ዝሞቱን ኪፈርድ ይመጽእ። | ብኽብሪ ናብ ሰማይ ዓረገ፣ ኣብ የማን ኣቦኡ ተቐመጠ፣ እንደገና ሕያዋንን ሙታንን ኪፈርድ ብኽብሪ ኪመጽእ እዩ መንግሥቱ'ውን መወዳእታ የብሉን። |

ብመንፈስ ቅዱስ ኣኣምን።

ካብ ኣቦን ካብ ወልድን ብዝሠረፀ፡ ብመድኃኒን ጐይታን ወሃብ - ሕይወትን መንፈስ ቅዱስ ነኣምን፤ ብኣፍ ነብያት ንዝተናገረ፣ ነኣኡ'ውን ምስ ኣቦን ወልድን ንሰግደሉን ነመስግኖን።

ብቅድስቲ፡ ካቶሊካዊት (ሓዋርያዊት) ቤተክርስትያን ኣኣምን።

ኣብ ኩሉ ቦታ እትርከብ ናይ ሓዋርያት ጉባኤ ብዝኾነት ብሓንቲ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ነኣምን።

ብናይ ቅዱሳን ሱታፌ ኣኣምን።

ናይ ኃጢኣት ስሬት፣ ናይ ሙታን ትንሣኤ፡ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣኣምን፡

ኣሜን።

ንስርየት ኃጢኣት ብዝተሠርዐት ሓንቲ ጥምቀት ነኣምን። ብትንሣኤ ሙታን፣ በቲ ዚመጽእ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ተስፋ ንገብር ኣሜን።

# ካልኣይ ክፍሊ
# ናይ ምሥጢረ-ክርስትና ክብርን ዝኽርን

## ካልኣይ ወገን፥
## ናይ ቤተክርስትያን ሾብዓተ ምሥጢራት

### ምዕራፍ ሓደ፥
### ምሥጢራት መባእታ-ክርስትና (መቅድመ-ምሥጢራተ)

**ኣንቀጽ 1፥ ጥምቀተ-ክርስትና**

I. እዚ ምሥጢር'ዚ ብኸመይ ይስመ?
II. ጥምቀት፡ ኣብ ሥነምጋቤ ድኅነት
III. ምሥጢረ ጥምቀት ብኸመይ ይሥራዕ?
IV. ጥምቀት ኪቕበል ዚኽእል መን'ዩ?
V. መን'ዩ ከጠምቕ ዚኽእል?
VI. ኣድላይነት ጥምቀት
VII. ጸጋ ጥምቀት
ብሓጺር

**ኣንቀጽ 2፥ ምሥጢረ ሜሮን (ምሥጢረ ቅብኣት)**

I. ምሥጢረ ሜሮን ኣብ ሥነ-ምጋቤ ድኅነት
II. ናይ ምሥጢረ ሜሮን፡ ትእምርትን ሥርዓትን
III. ፍረታት ምሥጢረ ሜሮን
IV. ነዚ ምሥጢር'ዚ ኪቕበሎ ዚኽእል መን'ዩ?
V. ሠራዒ ምሥጢረ ሜሮን (ወሃቢ)
ብሓጺር

**ኣንቀጽ 3፥ ምሥጢረ (ቅዱስ) ቊርባን**

I. ቅዱስ ቊርባን፡- ናይ ሕይወት ቤተክርስትያን መሠረትን ተድባብን
II. እዚ ምሥጢር'ዚ እንታይ ተባሂሉ ይጽዋዕ?

III. ቅዱስ ቊርባን፡ ኣብ ሥነምጋቤ ድኅነት
IV. ግብረ ኣምልኾኣዊ (ሊጡርግያዊ) ሥርዓተ ቅዱስ ቊርባን
V. ምሥጢራዊ-መሥዋዕት፡ ምስጋና-ዝኽሪ-ህላዌ
VI. ፋሲካዊ መኣዲ
VII. ቅዱስ ቊርባን፡ "ናይ'ቲ ዚመጽእ ክብሪ ዕርቡን"
ብሓጺር

# ምዕራፍ ክልተ፡

# ፈዋሲ፡ ምሥጢራት

## ኣንቀጽ 4፡ ምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን

I. እዚ ምሥጢር ብኸመይ ይስመ?
II. ድሕሪ ጥምቀት፡ ስለምንታይ ምሥጢረ ዕርቂ (ንስሓ) ኣድለየ
III. ናይ'ቶም ዝተጠምቁ ንስሓን ምምላስን
IV. ውሽጣዊ ንስሓ
V. ናይ ክርስትያናዊ ሕይወት፣ በብዓይነቱ መልክዕ ንስሓ
VI. ምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን
VII. ተግባራት ተነሳሒ
VIII. ነዚ ምሥጢር'ዚ ዚሠርዕ ልኡኽ
IX. ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ፍርያት
X. ስርየት ኃጢኣት
XI. ሥርዓት (ኣፈጻጽማ) ምሥጢረ ንስሓ
ብሓጺር

## ኣንቀጽ 5፡ ቅብኣተ ሕሙማን (ቀንዲል)

I. ኣብ ሥነ-ምጋቤ (መደብ) ድኅነት ዘለዎ መሠረት
II. ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ተቐባሊ፣ ሠራዒ'ኸ መን'ዩ?
III. እዚ ምሥጢር'ዚ ብኸመይ ይሥራዕ?
IV. ናይ'ዚ ሥርዓተ ምሥጢር ፍርያት
V. ስንቃዊ ቊርባን፡ ዛዛሚ ምሥጢረ-ክርስትና
ብሓጺር

## ምዕራፍ ሠለስተ፡
## ኣብ ኣገልግሎት-ሱታፌ ዚውዕል ምሥጢራት

### ኣንቀጽ 6፡ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት

I. እዚ ምሥጢር’ዚ ስለምንታይ “መዓርግ” ይበሃል
II. ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ኣብ ሥነ ምጋቤ ድኅነት
III. ናይ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት፡ሠለስተ  መደባት(ዕርከናት)
IV. ኣወሃህባ ሥርዓተ ምሥጢር (ሥርዓተ ሢመት)
V. ነዚ ምሥጢር’ዚ ዚሠርዕ (ዚዕድል) መን’ዩ?
VI. ነዚ ምሥጢር’ዚ ኪቕበል ዚኽእል መን’ዩ?
VII. ናይ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ፍርያት
ብሓጺር

### ኣንቀጽ 7፡ ምሥጢረ ተክሊል (ቃል ኪዳን)

I. መውስቦ ብመደብ ኣምላኽ
II. ሥርዓት ምሥጢረ ተክሊል (ኪዳን)
III. ኪዳናዊ ሥምረት
IV. ፍረ ምሥጢረ ቃልኪዳን
V. ንኪዳናዊ ፍቕሪ ዜድሊ ነገራትን፡ ረብሓታትን
VI. ስድራቤታዊት ቤተክርስትያን
ብሓጺር

## ምዕራፍ ኣርባዕተ፡
## ካልእ ግብረ-ኣምልኾኣዊ ሥርዓታት

### ኣንቀጽ 1፡ ምሥጢራት-መሰል (SACRAMENTALS)

ብሓጺር

### ኣንቀጽ 2፡ ሥርዓተ ቀብር ክርስትና

I. ናይ ክርስትያን መወዳእታ ፋሲካ (ምስግጋር)
II. ኣፈጻጽማ ሥርዓተ ቀብር (ግብኣተ መሬት)

# ካልኣይ ወገን

# ናይ ቤተክርስትያን ሾብዓተ ምሥጢራት

**1210** ክርስቶስ ናይ'ታ ሓዳስ ሕጊ ምሥጢራት ሠሪዑ። ሾብዓተ ምሥጢራት
1113 ኣለዉ፤ ጥምቀት፣ ሜሮን (ቅብኣት)፣ ቅዱስ ቍርባን፣ ንስሓ፣ ቅብኣተ-ሕሙማን (ቀንዴል)፣ ክህነት፣ ተክሊል እያቶም። እዞም ሾብዓተ ምሥጢራት ንኹሉ ኣገዳሲ (ደረጃታት) ስጕምታት ሕይወት-ክርስትና ዚትንክፉ እዮም።[1] ናይ ሓደ ክርስትያን ሕይወት-እምነቱ ከምትውለድን ከምተዓብን ከምትፍወስን፡ ከምትለኣኽን (ተልእኮት) ይገብሩ። ምእንት'ዚ ኸኣ ኣብ መንጎ'ቲ ባሕርያዊ ናይ ጕዕዞ-ሕይወት ስጕምትን፣ መንፈሳዊ ኮነ ባሕርያዊ ምዕባሌታትን ገለ ዓይነት ተመሳሳልነት ኣሎ።

**1211** ነዚ ምስስል'ዚ ብምኽታል ድማ፣ እዚ ቀዳማይ ምዕራፍ፣ ነቲ ናይ
1374 ክርስትና (መባእታዊ) መቅድመ-ምሥጢራት ኪዝርዝር እዩ፤ እቲ ኻልኣይ ከኣ ነቲ ናይ ምፍዋስ (ምሕዋይ) ምሥጢራት፣ እቲ ሣልሳይ ድማ ነቲ ኣብ ኣገልግሎት ማኅበርን፣ ተልእኮ ምእመናን፣ ዚውዕል ምሥጢራት ዚርኢ እዩ። እዚ መሥርዕ'ዚ እቲ ኡንኮ ዚምረጽ'ኳ እንተዘይኮነ፣ ንምሥጢራት ኣብ ሓደ ዝተወሃሃደን ዝተዋደደን ኣካል ንምጥማትን፣ ኣብ'ቲ ውሁድ ኣካል ንዘለዎ ናይ ነፍስወከፍ እጃምን ሥሩዕ ቦታን ንምግማት ዜኽእል እዩ። ኣብ'ዚ ውሁድን ውዱድን ምልኣት እምበኣር ቅዱስ ቍርባን መጠን "ምሥጢረ-ምሥጢራት" (ዝበለጸ ምሥጢር) ፍሉይ ቦታ ሒዙ ይረኣ፤ "ኵሎም ምሥጢራት ከኣ ከም ዕላማኦም መጠን ናብኡ ዘተኰሩ እዮም"።[2]

## ምዕራፍ ሓደ

## ምሥጢራት መባእታ-ክርስትና
## (መቅድመ-ምሥጢራት)

**1212** እዚ ናይ መባእታ-ክርስትና ምሥጢራት (መቅድመ-ምሥጢራት) ዝተሰምየ፡ ጥምቀት-ሜሮን-ቅዱስ ቍርባን፡ ናይ ኩሉ ክርስትያናዊ ሕይወት መሠረት እዩ። "ብጸጋ-ክርስቶስ ንደቅሰባት ዝተዋህበ ናይ መለኮታዊት ባሕርይ ሱታፌ፣ ምስ'ቲ ናይ ባሕርያዊት ሕይወት መበቈልን ምምዕባልን ዕብየትን ዜመሳስል ገለ ነገራት ኣለዎ። ምእመናን ብጥምቀት ከምበሓዲሽ ይውለዱ፣ ብናይ ምሥጢረ ሜሮን ቅብኣተ-መንፈስ ቅዱስ ይድልድሉ፣ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ድማ ናይ ሕይወት-ዘለዓለም መግቢ ይቕበሉ። በዚ ናይ መባእታ-ክርስትና

[1] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh III, 65, 1 ረአ
[2] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh III, 65, 3

ምሥጢራት እምበኣር፡ ምእመናን ቀጺሉ ብዚዓቢ መጠን ሃብቲ፣ መለኮታዊት ሕይወት ይረኽቡ፣ በዚ ኸኣ ናብ ፍጽምና-ፍቕሪ ገጾም ይስጉሙ።”[3]

## ኣንቀጽ 1
## ጥምቀተ-ክርስትና

**1213** ቅዱስ ምሥጢረ ጥምቀት ናይ መላእ ክርስትያናዊት ሕይወት መሠረት፣ ብመንፈስ ቅዱስ ናብ እትንበር ሕይወት ዜእቱ በሪ፣[4] ናብ ካልኦት ምሥጢራት ንምምሕልላፍ ዜገልግል ኣፈቤት እዩ። ብጥምቀት ካብ ኃጢኣት ሓራ ወጺእና፣ መጠን ደቂ-እግዚኣብሔር ከአ ዳግማይ ንውለድ፤ ናይ ክርስቶስ ኣባላት ንኸውን፣ኣብ ቤተክርስትያን ንሕወስ፤ ተሳተፍቲ ተልእኮታ ከኣ ንኸውን፤ “ጥምቀት እምበኣር ብማይ ገቢሩ በቲ ቓል ዚፍጸም ምሥጢረ ዳግም ልደት እዩ”።[5]

## I. እዚ ምሥጢር'ዚ ብኸመይ ይስመ?

**1214** በቲ ቀንዲ ናይ ኣፈጻጽማኡ ሥርዓት፡ እዚ ምሥጢር'ዚ ጥምቀት ተባሂሉ ይስመ። ምጥማቕ (ብግሪኽ “ባፕቲዘይን”) ኣብ ማይ ምጥላቕ፣ ምእላኽ ምጥሓል የስምዕ። ኣብ ማይ ምጥላቕ፣ እቲ ንኡስ ክርስትያን ኣብ ሞት-ክርስቶስ ከምዝተቐብረ፣ ካብኡ ድማ ምስኡ ብምትንሣእ “ሓዲስ ፍጥረት”[6] ከምዚኸውን ዜመልክት እዩ። 628

**1215** እዚ ምሥጢር'ዚ “ናይ ዳግም ልደት ሕጽበትን፣ ብመንፈስ ቅዱስ ተሓድሶትን” እውን ይበሃል እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ ብዘይካኡ ንመንግሥተ ሰማይ ኪእቶ ንዘይከኣል፣ ንናይ ማይን መንፈስ ቅዱስን ልደት ዜመልክት፣ በሓቂ'ውን እዚ ዕድል'ዚ ዚህብ እዩ።[7] 1257

**1216** “እዚ ሕጽበት'ዚ ጸጋ-ብርሃን ተባሂሉ'ውን ይስመ እዩ። ምኽንያቱ ከኣ እቶም ነዚ፡ ክርስትያናዊ ትምህርትን መዕበያን (ካተከዚስ) ዝተቐበሉ ብርድኢቶምን ሃለዋቶምን በሪሆም ስለዚርከቡ እዩ...”።[8] እቲ ተጠማቒ ኣብ ግዜ ጥምቀቱ፡ ነቲ 1243

---

[3] ጳውሎስ 6ይ apostolic constitution, Divinae consortium naturae AAS 63 (1971) 657፣RCIA Introduction 1-2
[4] ጉባኤ ፍሎሬንስ፡ DS 1314፡ vitae spiritualis ianua ረአ
[5] ሮማዊ ትም.ክር. II, 2, 5፣ጉባኤ ፍሎሬንስ፡ DS 1314 ፣ሕገቀኖና፣ ቀ. 204 § 1 849፣ ሕገቀኖና ምሥ.CCEO ቀ. 675 § 1 ረአ
[6] 2 ቆሮ 5፡17፣ገላ 6፡15፣ሮሜ 6፡3-4፣ቆላ 2፡12 ረአ
[7] ቲቶ 3፡5፣ዮሓ 3፡5
[8] ቅ.ዩስጢኖስ Apol. 1, 61, 12፡ PG 6, 421

"ንኹሉ ሰብ ዜብርህ ኡነተይና ብርሃን" ዝኾነ ቃል(-ኣምላኽ) ብምቕባሉ "በሪሁ" "ወዲ-ብርሃን" ይኸውን፣ "ብርግጽ'ውን ንሱ ንባዕሉ "ብርሃን" ኮይኑ እዩ።[9]

> ጥምቀት እቲ ኣዝዩ ኣደናቕን ኣንጸባራቕን ዝኾነ ህያብ ኣምላኽ እዩ...። ህያብ፡ ጸጋ፡ ቅብኣት ብርሃን፣ ልብሰ-ሕይወት፣ ሕጽበት ዳግማይ ልደት፣ ማኅተም፡ ከምኡ'ውን ኣዝዩ ዝበለጸ ህያብ ቢልና ንጽውዖ። ናቶም ገለ'ኳ ንዘይብሎምን፡ ምንም ከይሓዙ ንዝመጽኡ ስለዚወሃብ "ህያብ" ይበሃል፤ ነቶም በደለይናታት'ውን ከይተረፉ ብጕንዖ ዚወሃብ ስለዝኾነ "ጸጋ" ይበሃል። ኣብቲ ማይ፣ እቲ ኃጢኣት ስለዚቕበር ድማ ጥምቀት ይበሃል፤ እቶም ዚቕብኡዎ ከምኡ ክህነታውን ንጉሣውን ስለዚገብሮም ቅብኣት ይስመ፤ ባና ስለዚዝርግሕ ከኣ ብርሃን ተባሂሉ፤ ንውርደትና ስለዚኸድን ልብሲ ተሰምዩ፤ ስለዜጽርየና ድማ ማይ-ሕጽበት፣ ናይ ኣምላኽ ጐይትነት ዜመልክትን፣ ነኣና እውን ሓላዊና ስለዝኾነን ከኣ ማኅተም ይበሃል።[10]

# II. ጥምቀት፡ ኣብ ሥነምጋቤ ድኅነት

## ኣብ ብሉይኪዳን ዘሎ ኣምሳል ጥምቀት

**1217** ኣብ ናይ ፋሲካ ዋዜማ፣ እቲ ማየ-ጥምቀት ኣብ ዚባረኸሉ (ዚቕደሰሉ) እዋን፡ ትርጕም ጥምቀት ንዜመልክት ነቲ ዓበይቲ ናይ ታሪኽ-ድኅነት ክዋኔታት ቤተክርስትያን ብዓዠብ ክትዝክሮ ትርከብ፤

- ኦ! ኣምላኽና (ኣቦ) በዚ ናይ ዘይረአ ኃይልኻ መንክራት ዜዘንትወልና ናይ ምሥጢራት ትእምርቲ (ምልክት) ገቢርካ፡ ጸጋ ሃብካና!
- በዚ ምሥጢር'ዚ ገቢርካ ናይ እትህበና ጸጋ ድልዱል (ምልክት) ኣምሳል ንዝገበርካዮ፡ ናይ ማይ ህያብካ፣ ኣብ ጥምቀት ክንጥቀመሉ ንርከብ።[11]

**1218** ካብ ፍጥረት-ዓለም ኣትሒዙ፡ እዚ ትሑት መንም፣ ግን ከኣ ዜደንቕ
344: 694 ፍጥረት-ማይ ናይ ሕይወትን ፍርየትን ምንጪ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ቅዱስ መጽሓፍ ድማ፡ መንፈስ-እግዚኣብሔር "ይዝንብየሉ" ከምዝነበረ የመልክት።[12]

> ፍጥረት ኪጅምር ከሎ ብኡብኡ፣
> መንፈስካ ኣብ ልዕሊ ማያት ኣስተንፈሰ፣
> በዚኸኣ ንማያት ምንጪ-ኹሉ ቅድስና ገበርካዮ።[13]

---

[9] ዮሓ 1፡9፣1 ተሰ 5፡5፣ዕብ 10፡32፣ኤፌ 5፡8.
[10] ቅ.ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ Oratio 40, 3-4፡ PG 36, 361C.
[11] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ Easter Vigil 42፡ Blessing of Water.
[12] ዘፍ 1፡2 ረአ
[13] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ Easter Vigil 42፡ Blessing of Water

**1219** ቤተክርስትያን፣ ኣብ (ታቦት) መርከብ ኖኅ ናይ'ቲ ብጥምቀት ዚርከብ ድኅነት ኣምሳል ተሰተውዕል። ምኽንያቱ ኸኣ ኣብኣ "ገለ ቍሩባት፡ ሾመንተ ሰባት ካብ ማይ-ኣይኂ ድሒኖም"[14]፤ 701: 845

*ነቲ ማያት ኣይኂ፡*
*ንኃጢኣት ናይ ዜልግስን ሓዲሽ ሠናይነት/ኂሩት ናይ ዜበግስን፡*
*ናይ ማይ-ጥምቀት ምልክት ገበርካዮ።*[15]

**1220** ካብ ከርሠ-ምድሪ ዚፍልፍል ማይ ኣምሳል-ሕይወት እንኪኸውን፣ እቲ ናይ ባሕሪ ማይ ግን ንሞት ዚምሰል ኮይኑ፣ በዚ ከኣ ንናይ መስቀል ምሥጢርን እንታይነትን ኬመልክት ከኣለ። በዚ ኣምሳልነት ድማ፡ ጥምቀት ንርእሱ ኣብ ሞት-ክርስቶስ ሱታፌ ዜመልክት ኮነ። 1010

**1221** ልዕሊ ኹሉ ግን፡ እቲ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ምስጋር፣ እቲ ናይ ሕዝቢ-እስራኤል ካብ ባርነት-ግብጺ ሓራ ምውጻእ፡ ቃል ብቓሉ ነቲ ብጥምቀት ዚፍጸም ሓርነት ዜበሥር እዩ፣

*ማያት-ቀይሕ ባሕሪ ከይነኽኦም ብንቑጽ-ሣእኒ ኣሳጊርካ፣*
*ንደቂ ኣብርሃም ካብ ባርነት-ፈርዖን ሓራ ብምውጻእ፣*
*እቲ ሕዝቢ ብጥምቀት ሓራ ከምዚወጽእ ከተመልክት ደለኻ።*[16]

**1222** ኣብ መወዳእታ፣ ጥምቀት፡ በቲ ናይ ፈለግ ዮርዳኖስ ምስጋር ተመሲሉ ኣሎ። ዮርዳኖስ ብምስጋር፡ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ንዓሌት-ኣብርሃም ቃል ዝተኣተወትሎም፣ ናይ ዘለዓለማዊት ሕይወት ምስሊ ዝኾነት ምድሪ-ተስፋ ተቐበሉ። ናይ'ዛ ቅድስቲ ውርሻ ተስፋ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተፈጺሙ።

## ጥምቀት ክርስቶስ

**1223** ኹሉ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣምሳላት ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ተፍጻሜቱ ይረክብ። ንሱ ኣብ ዮርዳኖስ ብቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ ድሕሪ ተጠሚቑ ግብረ-ስብከቱን፡ ግልጺ ዝኾነ ሕይወቱን ጀመረ።[17] ብድሕሪ ትንሣኤኡ፡ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ተልእኮ ኣልበሶም፡- "ኪዱ! ንኵሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጠመቕኩም፣ ነቲ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኪሕልዉ እናመሃርኩም ከኣ ተኸተልተይ ግበርዎም"።[18] 232

---

[14] 1 ጴጥ 3፡20.
[15] *ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ* Easter Vigil 42፡ Blessing of Water.
[16] *ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ* Easter Vigil 42፡ Blessing of Water፡ "Abrahae filios per mare Rubrum sicco vestigio transire fecisti, ut plebs, a Pharaonis servitute liberata, populum baptizatorum præfiguraret."
[17] *ማቴ* 3፡13 *ረኣ*
[18] *ማቴ* 28፡19-20፣*ማር* 16፡15-16 *ረኣ*

**1224** ጐይታና "ኩሉ ጽድቂ ምእንቲ ኪፍጽም"[19] ነቲ ንኃጢኣተይናታት
536 ዝተመደበ ናይ ቅዱስ ዮሓንስ ጥምቀት ኪቕበል ብፍቓዱ ርእሱ ኣትሓተ። እዚ ተግባር ኢየሱስ ርእሱ ናይ ምትሓቱ[20] ምልክት እዩ። እቲ ኣብ ፈለማ ፍጥረት፡ ኣብ ልዕሊ ማያት ዚዝንቢ ዝነበረ መንፈስ (ኣምላኽ) ሽዑ ኣብ ልዕሊ ኢየሱስ ወረደ። እዚ ኸኣ ነቲ ሓዲስ ፍጥረት ምስንዳው እንኪኸውን፣ ኢየሱስ እቲ "ፍቁር ወዱ"[21] ምዃኑ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዝገለጸሉ እዩ።

**1225** ብትንሣኤኡ፡ ክርስቶስ ንኹሎም ደቅሰብ፡ ዓይኒ-ማይ ጥምቀት
766 ከፊቱሎም። ብዛዕባ'ቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ኪቕበሎ ዝነበሮ ሥቓይ ኪዛረብ እንከሎ፣ ኪጥመቖ ዘለዎ ጥምቀት ምዃኑ ይነግሮም።[22] ካብ'ቲ ናይ ስቑል ኢየሱስ ዝተወግአ ጐድኑ ዝፈልፈለ ደምን ማይን፣ ናይ ሓዳስ ሕይወት ምሥጢራት ንዝኾኑ ጥምቀትን ቅዱስ ቊርባንን ዘመልክት እዩ።[23] ካብኡ ንነጀው እምበኣር መንግሥተ ሰማይ ንምእታው "ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን ብምውላድ"[24] ዚከኣል ኮይኑ ተረኽበ።

> ኣበይ ከምዝተጠመቕኩም ረኣዩ! ጥምቀት ካበይ ከምዚመጽእ'ውን ኣስተውዕሉ፣ ካብ'ቲ ናይ ክርስቶስ መስቀል፣ ካብ'ቲ ሞቱ እንተዘይኮይኑ ካበይ ኪመጽእ ይኽእል!! እቲ መላእ ምሥጢር ኣብ'ዚ እዩ ዘሎ፤ ምእንታኻትኩም ሞይቱ። በኣኡ ተናጊፍኩም፣ ድኅነት ረኺብኩም።[25]

## ጥምቀት ኣብ ቤተክርስትያን

**1226** ካብ'ታ ዕለተ ጰንጠቆስጤ ኣትሒዛ ቤተክርስትያን ምሥጢረ ጥምቀት
849 ምስ ሠርዐትን፣ ምስ ዓደለትን እያ። ቅዱስ ጴጥሮስ'ውን ነቲ ብስብከቱ ተመሲጡ ዝነበረ ሕዝቢ፣ "ተነስሑ! ኃጢኣትኩም ምእንቲ ኪኅደገልኩም ከኣ፡ ነፍስወከፍኩም፡ ብስም-ኢየሱስ ክርስቶስ ይጠመቕ፣ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ድማ ክትቅበሉ ኢኹም"[26] እናበለ ይእውጀሎም። ሓዋርያትን ተሓጋገዝቶምን ከኣ፣ ኣይሁዳዊ ይኹን፣ ንኣምላኽ ዚፈርሕ ኣረማዊ፣ ኣብ ኢየሱስ ንዚኣምን ዘበለ፡ ጥምቀት ኪህብዎ ተረኽቡ።[27] ጥምቀት ወትሩ ምስ እምነት ተተሓሒዙ/ተኣሳሲሩ እዩ ዚረአ፤ "ብጐይታ ኢየሱስ እመን'ሞ፣ ንስኻን መላእ ስድራቤትካን ክትድሕኑ ኢኹም" ኪብል ቅዱስ ጳውሎስ ነቲ ናይ ፊልጵስዩስ ሓላው-እሡራት ገለጸሉ።

---

[19] ማቴ 3፡15
[20] ፊልጵ 2፡7 ረኣ
[21] ማቴ 3፡16-17
[22] ማር 10፡38፣ሉቃ 12፡50 ረኣ
[23] ዮሓ 19፡34፣1 ዮሓ 5፡6-8 ረኣ
[24] ዮሓ 3፡5ረኣ
[25] ቅ.ኣምብሮዝዩስ De sacr. 2, 2, 6፡ PL 16, 444፣ዮሓ 3፡5 ረኣ
[26] ግ.ሓ 2፡38
[27] ግ.ሓ 2፡41፣8፡12-13፣10፡48፣16፡15 ረኣ

እቲ ታሪኽ ቀጺሉ ድማ፣ እቲ ሓላው እሡራት "ብኡንብኡ ምስ ምሉእ ስድራቤቱ ተጠምቀ"።[28]

**1227** ብመሠረት ትምህርቲ ቅዱስ ጳውሎስ፣ እቲ ምእመን፣ ብጥምቀት 790
ገቢሩ ኣብ ናይ ሞት-ክርስቶስ ሱታፌ የኣቱ፣ ምስኡ ይቐበር፣ ምስኡ'ውን ይትንሥእ፡-

> እዞም ብኽርስቶስ ኢየሱስ ዝተጠመቕና ኣብ ሞቱ ከምዝተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ስለ'ዚ ከምቲ ክርስቶስ ብኃይሊ ክብሪ ኣቦኡ ካብ ሙታን ዝተንሥአ፣ ከምኡ ከኣ ንሕና፡ ብሓዳስ ሕይወት ምእንቲ ክንመላለስ፣ በታ ኣምሳል-ሞት-ክርስቶስ ዝኾነት ጥምቀት ምስኡ ተቐቢርና ኢና፣ ከምቲ ናቱ ሞት ሞይትና ምስኡ እንተተወሃሂድና ብትንሣኤኡ'ውን ክንመስሎ ኢና።[29]

እቶም ዝተጠምቁ "ንኽርስቶስ ለቢሶምዎ እዮም"[30] ጥምቀት ብመንፈስ ቅዱስ ዚፍጸም ዜንጽሕ ዜጽድቕ ዚቕድስ ሕጽበት እዩ።[31]

**1228** እነሆ'ምበኣር ጥምቀት እቲ "ዘይበርስ ዘርኢ" ዝኾነ ቃል-ኣምላኽ ወሃብ-ሕይወት ውጽኢት ዚህበሉ ናይ ማይ ሕጽበት ምዃኑ እዩ።[32] ቅዱስ ኣጕስጢኖስ'ውን ብዛዕባ ጥምቀት፡- "እቲ ቃል ናብ'ቲ ግዙፍ ነገር ይመጽእ፣ ሽዑ ምሥጢር ይኸውን"[33] ይብል።

## III. ምሥጢረ ጥምቀት ብኸመይ ይሥራዕ?

### ኣቀባብላ ክርስትና

**1229** ካብ ዘመነ ሓዋርያት ኣትሒዙ፣ ክርስትያን ምዃን፡ ብዝተፈላለየ መድረኻት ብዚግለጽ ጕዕዞን ናይ ኣጀማምራ ሥርዓትን ኪፍጸም ተረኺበ። እዚ ጕዕዞ'ዚ ብቕልጡፍ ወይ ከኣ ብቐስታ ኪፍጸም ዚከኣል'ኳ እንተኾነ፣ ሓድሓደ ቀንድን ኣገዳስን ነገራት ግን ወትሩ ይድለ፣ ስብከት ቃል-ኣምላኽ፣ ንስሓ ዘለዓዕል ምቕባል-ወንጌል፣ እምነት ምግላጽ (ተኣምኖት)፣ ጥምቀት ብቐንዱ፣ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምውራድ፣ ቅዱስ ቍርባን ምቕባል የጠቓልል።

**1230** እዚ ሥርዓት (መባእታ) ኣቀባብላ ክርስትና፡ ኣብ ዝሓለፈ ምእተዓመታት 1248
ብኵነታት ዚኣክል፡ ኣዝዩ ዝተፈላለየ መንገድታት ሒዙ እዩ። ኣብ'ተን ናይ ቤተክርስትያን ቀዳሞት ምእተዓመታት ሥርዓት (መባእታ) ኣቀባብላ-ክርስትና

[28] ግ.ሓ 16፡31-33
[29] ሮሜ 6፡3-4፣ቆላ 2፡12 ረአ
[30] ገላ 3፡27
[31] 1 ቆሮ 6፡11፣12፡13 ረአ
[32] 1 ጴጥ 1፡23፣ኤፌ 5፡26 ረአ
[33] ቅ.ኣጕስጢኖስ In Jo. ev. 80, 3፡ PL 35, 1840

ኣዝዩ ርኡይ ዝኾነ ምዕባሌ ኣመዝጊቡ እዩ። ንውሕ ዝበለ፡ ናይ ምስንዳው ሥርዓታት ዝሓቘፈ፣ ናይ ንኡስ ክርስትና እዋን ተዘውተረ። እዚ ሥርዓታት'ዚ ኸኣ ምስ'ቲ ንኡስ ክርስትያናዊ ምስንዳው ማዕረ ማዕረ ዚኸይድ ሊጡርግያዊ ርኡይ ምልክታት ኮይኑ፣ ኣብ ሥርዓተ ምሥጢራት መባእታ-ክርስትና ዚዛዘም ነበረ።

**1231** ምሥጢረ-ጥምቀት ንሕፃናት ኣብ ዚሥረዓሉ እቲ ኣገባብ ነቲ ናይ
13 መባእታ-ክርስትና ናይ ምስንዳው መድረኻት ዜጠቓልል ሓጺርን፣ ብንጽል ዚፍጸምን ተግባር ነበረ። ብባሕሪኡ፡ እዚ ናይ ጥምቀተ-ሕፃናት መደብ፡ ናይ ድሕረ-ጥምቀት ንኡስ ክርስትያናዊ ምስንዳው ዚሓትት እዩ። ድሕሪ ጥምቀት ዚወሃብ ትምህርቲ ብሕቱ ኣኻሊ ኣይኮነን። እቲ ጸጋ-ጥምቀት ምስ'ቲ ሰብኣዊ ዕብየትን ምዕባሌን ኪዕንብብን ኪፈርን ኣድላዪ እዩ። ኣብዚ መጽሓፍ ትምህርተ ክርስትያን ግቡእ ቦታኡ ይሕዝ።

**1232** ንላቲናዊት ቤተክርስትያን ብዚርኢ፣ "ንዓበይቲ ዚኸውን ዝተፈላለየ
1204 ኃያሎይ ስጉምታት ዘጠቓልል ንኡስ ክርስትያናዊ ጉዕዞ"[34] ዚብል ብጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ ተኣታቲዉ እዩ።ነዚ መድረኻት'ዚ ዜገልግል ሥርዓታት፣ ኣብ'ቲ "ሥርዓተ መባእታ-ክርስትና ንዓበይቲ"[35] ዚብል መጽሓፍ ይርከብ(ብኤውሮጳዊ ቋንቋ እዩ)። "ኣብ መደብ ስብከተ-ወንጌል ንዚርከባ ሃገራት ብዚርኢ፣ ኣብ ልዕል'ቲ ትውፊት ክርስትና ዜቅርበልና፣ ኣብ ገሊኡ ሕዝብታት ድሮ ዜገልግል ዘሎ ገሊኡ ናይ መባእታ-ክርስትና ሥርዓታት፣ክርስትያናዊ ሥርዓትን ርድኢትን ኪቕበሎ ክሳብ ዝኸኣለ ኪተኣታቶ ይከኣል"[36] ኪብል፣ ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ የፍቅድ።

**1233** ሎሚ ኣብ ኲሉ ሥርዓታት፣ ላቲን ይኹን ናይ ምሥራቕ፣ እቲ ናይ ዓበይቲ መባእታ-ክርስትና ኣብ መደብ ንኡስ ክርስትያን ብምእታው ጀሚሩ፣ ኣብ'ቲ ናይ ሠለስቲኡ ምሥጢራት-መባእታ ጥምቀት-ሜሮን (ቅብኣት) ቅ.ቍርባን ብናይ ሓባር ሥርዓት-ኣፈጻጽማ ይዛዘም።[37] ኣብ ምሥራቓዊ ሥርዓታት እቲ ናይ ሕፃናት መባእታ-ክርስትና ከይተረፈ ብጥምቀት ጀሚሩ፣ ብኡብኡ ናይ ሜሮን ቅብኣትን ናይ ቅዱስ ቍርባን ምቅባልን ይስዕቦ። ኣብ ሮማዊ ሥርዓት ግን ብሜሮንን (ቅብኣትን) በቲ ናይ መባእታ-ክርስትናኦም ዝለዓለ ጠርዚ ዝኾነ ምቕባል ቅዱስ ቍርባን ቅድሚ ምዝዛሙ፣ እቲ ጥምቀት-ሕፃናት ገለ ዓመታት ብዚወስድ ናይ ትምህርተ-ክርስትናዊ መዕበያ (Catechesis) ኪቕጽል ይርከብ።[38]

---

[34] ቅዱስ ጉባኤ SC 64
[35] Cf. RCIA (1972)
[36] ቅዱስ ጉባኤ SC 65፣ቅዱስ ጉባኤ SC 37-40 ረአ
[37] ናብ ኣሕዛብ AG 14፣ሕገቀኖና፣ ቀ. 851፣865፣866 ረአ
[38] ሕገቀኖና፣ ቀ. 851, 2፣868 ረአ

# ትርጓሜ ሥርዓት-ምሥጢራት

**1234** ናይ ምሥጢረ ጥምቀት ትርጓሜኡን፣ ዜፍርዮ ጸጋኡን ኣብ'ቲ ናይ ኣፈጻጽማኡ ሥርዓታት ብንጹር ዚርዳእ እዩ። ናይ'ዚ ሥርዓተ ምሥጢረ-ጥምቀት ዚፍጸም ተግባራትን ምልክታትን ቃላትን ኣስተውዒልካ ብምክትታል እዚ ምሥጢር'ዚ ኣብ'ቲ ሓዲስ ተጠማቒ ሰብ ብጭብጢ ዘምጽኦን፣ እዚ ምሥጢር'ዚ ዜመልክቶ ሃብቲ-ጸጋን ንምርዳእ ይከኣል።

**1235** ኣብ ፈለማ'ቲ ሥርዓት ዚፍጸም ትእምርተ-መስቀል፣ ናይ ክርስቶስ 617
ንብረት ኪኸውን ንዘለዎ (ተጠማቒ) ምልክቱ የጎትመሉ፤ ከምኡ'ውን ክርስቶስ 2157
ብመስቀሉ ንዘልበሰና ጸጋ-ድኅነት ዜመልክት እዩ።

**1236** ናይ ቃል-ኣምላኽ ንባባትን ስብከትን፡ ነቶም ተጠመቕቲ ኮነ፡ ነቲ 1112
ዝተኣከበ ሕዝቢ፣ በቲ ዝተገልጸ ሓቅታት-እምነት የብርሆም፣ ነቲ ካብ ጥምቀት ዘይንጸል ናይ እምነት ምላሽ የለዓዕል፣ ብርግጽ'ውን ጥምቀት ናብ ናይ እምነት ሕይወት ዜእቱ ምሥጢራዊ ባብ ስለዝኾነ፣ ብፍሉይ መንገዲ "ምሥጢረ እምነት" ኪበሃል ዚከኣል እዩ።

**1237** ምሥጢረ-ጥምቀት ካብ ኃጢኣትን ካብ'ቲ መለዓዓሊኡ ዝኾነ 1673
ዲያብሎስን ሓራ ምውጻእ ዜመልክት ስለዝኾነ፣ ገለ ዓይነት ናይ ኣውፃኤ 189
ኣጋንንትን ጸሎትን ቃላትን ኣብ ልዕል'ቲ ተጠማቒ ኪድገም ይርከብ። ድሕር'ዚ እቲ ሠራዒ-ምሥጢር ብዘይቲ-ንኡስክርስትያን ይቐብኦ፣ ወይ ከኣ ኢዱ የንብረሉ'ሞ፣ ሽዑ እቲ ተጠማቒ ብግልጺ ንሰይጣን ይኽሕድ። በዚ ዓይነት'ዚ ተሰናዲዉ እምበኣር፡ ሕጂ ነታ ብጥምቀት ሕድሪ ዚወሃባ ዘሎ ቤተክርስትያን ንእምነታ ኪደግም (ኪእመን) ይኽእል።[39]

**1238** እቲ ማይ-ጥምቀት ኣብ ልዕሊኡ ብዚፍጸም ናይ ርደተ-መንፈስ ቅዱስ 1217
(ኤፒክሌሲስ) ጸሎት (ሽዑ ወይ ከኣ ኣብ ዋዜማ ፋሲካ ብዝተገብረ ሥርዓት) ዝተቐደሰ እዩ። እቶም በኣኡ ዚጥመቑ "ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን"[40] ንኺውለዱ፣ ብወዱ ገቢሩ ኣብ ልዕል'ቲ ማይ፣ ኃይሊ-መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ከውርድ፣ ቤተክርስትያን ናብ እግዚኣብሔር ትምህለል።

**1239** እቲ በሓቂ ጥምቀት ዚበሃል ቀንዲ ሥርዓት እዚ ዚስዕብ እዩ። ንሱ 1214
በሓቂ፣ ንኃጢኣት ብምምዋት፣ ብናይ ክርስቶስ ፋሲካዊ ምሥጢር ተቐሪጹ ናብ ሕይወት ቅድስት ሥላሴ ምእታዉ ዜመልክትን፣ እዚ ጸጋ'ዚ ዜውህብን እዩ። ብመሠረት'ቲ ሓቀይና መግለጺኡ፣ ጥምቀት ሠለስተ ግዜ ኣብቲ ማየ-ጥምቀት ብምጥላቕ ይፍጸም። እንተኾነ፡ ካብ ዘመነ-ጥንቲ ብዝጸንሐ ልምዲ፡ ኣብ ርእስ'ቲ ተጠማቒ ሠለስተ ግዜ ማይ ብምኽዓው'ውን ይፍጸም እዩ።

---

[39] ሮሜ 6፡17 ረአ
[40] ዮሓ 3፡5.

**1240** ኣብ ላቲናዊት ቤተክርስትያን እዚ ሠለስተ ግዜ ምጥላቕ (ምፍሳስ) ብናይ'ቲ ሠራዒ"...(እገሌ)...ኣነ ብስም ኣብን፣ ወልድን፣ መንፈስ ቅዱስን ኣጠምቐካ ኣሎኹ" ዚብል ቃላት ዝተሰነየ እዩ። ኣብ ምሥራቓዊ ሊጡርግያ ድማ፡ እቲ ንኡስ ክርስትያን ንምሥራቕ ገጹ ይጥምት'ሞ፣ ሽዑ እቲ ካህን "ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ....(እገሌ)... ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይጥመቕ ኣሎ" ይብል። እቲ ካህን ነፍስወከፍ ስም ኣካላት ቅድስት ሥላሴ እናኪሰሚ ሓደ ግዜ ነቲ ተጠማቒ ኣብ ማይ ኣጥሊቑ የውጽኦ።

**1241** ብኣቡን ብዝተቐደሰ ምዑዝ ዘይቲ ዚፍጸም ናይ ቅዱስ ሜሮን
1294 ቅብኣት፣ ነቲ ሓዲስ ዝተጠምቀ ይወሃቦ ናይ ዘሎ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ምልክት
1574 እዩ። እቲ ዝተጠምቀ ሕጂ ክርስትያን፡ ማለት ብመንፈስ ቅዱስ ዝተቐብአ
783 ምስ'ቲ ካህን ነቢይ ንጉሥ ኮይኑ ዝተቐብአ ክርስቶስ ዝተወሃሃደ እዩ።[41]

**1242** ኣብ ናይ ምሥራቕ ኣብያተክርስትያን ሊጡርግያ፣ እቲ ብድሕሪ
1291 ጥምቀት ዚፍጸም ቅብኣት ምሥጢረ ሜሮን እዩ። ኣብ'ቲ ሮማዊ ሊጡርግያ ግን
እቲ ድሕሪ-ጥምቀት ዚወሃብ ቅብኣት፡ ነቲ ደሓር ብኣቡን ብቅዱስ ቅብእ ዚግበር
ካልኣይ ቅብኣት የመልክት፤ ነቲ ናይ ጥምቀት ቅብኣት ዜጽንዕን ምልኣት
ዚህብን ኮይኑ ይሕሰብ።

**1243** እቲ ጻዕዳ ልብሲ ድማ፡ ተጠማቒ "ንኽርስቶስ ከምዝለበሶ"[42]፣ ምስ
1216 ክርስቶስ'ውን ከምዝተንሥአ የመልክት። እቲ ካብ ሽምዓ-ትንሣኤ (ፋሲካ) ዝበርሀ
2769 መብራህቲ (-ሽምዓ) እውን ክርስቶስ ነቲ ሓዲሽ ተጠማቒ ብብርሃኑ ከምዘብረሆ
የርኢ።ብኽርስቶስ ድማ እቶም ዝተጠምቁ "ብርሃን-ዓለም"[43] ከምዝኾኑ
የዘኻኽር።

እቲ ሓዲሽ ተጠማቒ እምበኣር፡ በቲ ኡንኮ ወልደ-እግዚኣብሔር ኣቢሉ ወዲ-ኣምላኽ ንምዃን ስለዝበቕዐ፡ ሕጂ ነቲ "ኣቦና" ዚብል ናይ ደቂ-እግዚኣብሔር ጸሎት ንኺደግም በዓል መሰል ይኸውን።

**1244** መዝመርያ ቅዱስ ቍርባን። እቲ ሓዲሽ ተጠማቒ ውሉድ-ኣምላኽ
1292 ብምዃን ልብሰ-መርዓ ተኸዲኑ ናብ'ቲ "ናይ በጊዕ/ገንሸል ድራር መርዓ"[44]
ብምእታው፡ ናይ'ታ ሓዳስ ሕይወት መግቢ፣ ናይ ክርስቶስ ሥጋኡን ደሙን
ይቕበል። "ንሕፃናት ናባይ ኪመጹ ሕደግዎም፣ ኣትይኽልክልዎም"[45] ንዚብል
ቃላት-ጐይታ ብምዝካር ናይ ምሥራቕ ኣብያተክርስትያን፡ንኹሎም ሓደስቲ
ተጠመቕቲ ንሕፃናት'ውን ከይተረፈ ቅዱስ ቍርባን ብምሃብን፡ ሜሮን ብምቕባእን
ነዚ ናይ መባእታ-ክርስትና ምሥጢራት ሓድነት፣ ብውዕውዕ ንቕሓትን ርድኢትን

---

[41] ሥርዓት ጥምቀት RBC 62 ረኣ
[42] ገላ 3፡27
[43] ማቴ 5፡14፣ፊልጵ 2፡15 ረኣ
[44] ራእ 19፡9
[45] ማር 10፡14

ዓቒበንኦ ኣለዋ። ላቲናዊት ቤተክርስትያን ንምቕባል ቅዱስ ቍርባን፣ ኣብቶም ዓቕመ-ኣእምሮ ዝበጽሑ ጥራሕ ደሪታቶ። እንተኾነ ኣብኣ'ውን ጥምቀት ናብ ቅዱስ ቍርባን ገጹ ዘተኰረ ምዃኑ ንምግላጽ፣ እቲ ሽዑ ሽዑ ዝተጠምቀ ሕፃን፡ ብግዜ ጸሎተ "ኣቡነ ዘበሰማያት" ናብ ወገን መንበረታቦት (ምሥዋዕ) ከምዚመጽእ ይግበር።

**1245** ብሥርዓት ዓቢይ ቡራኬ፣ እቲ ናይ ምሥጢረ ጥምቀት ሥርዓት ይፍጸም። ኣብ ጥምቀት-ሕፃናት ኣብ ልዕሊ'ታ ኣደ ዚግበር ሥርዓተ ቡራኬ ፍሉይ ቦታ ዝሓዘ እዩ።

# IV. ጥምቀት ኪቕበል ዚኽእል መን'ዩ?

**1246** "ዝኾነ ይኹን ዛጊት ዘይተጠምቀ ሰብ ጥራሕ'ዩ ኪጥመቕ ዚኽእል"።[46]

## ጥምቀት-ዓበይቲ

**1247** ቤተክርስትያን ካብ ዝተመሥረተትሉ ኣትሒዙ፣ እቲ መደብ ስብከተ-ወንጌል ጋና ሓዲሽ ኣብ ዝነበረሉ ኵነታት፣ ናይ ዓበይቲ (ብጹሓት) ጥምቀት ልሙድ ኣገባብ ነበረ። ምእንት'ዚ ከኣ እቲ ናይ ንኡስ-ክርስትያን መደብ (ንጥምቀት ዚግበር ምስንዳው) ኣዝዩ ኣገዳሲ ቦታ ኣለዎ። እዚ ናብ እምነትን ሕይወትን ክርስትና ዚግበር መባእታ እምበኣር፡ እቲ ንኡስ ክርስትያን ብጥምቀትን ሜሮንን ቅ.ቍርባንን ንህያብ-ኣምላኽ ዚቕበለሉ ኣተናን፣ ኅሊናን፣ መደብ ሕይወትን ንኸጥሪ ዚሕግዞ እዩ።

**1248** እዚ መደብ ንኡሰ ክርስትያን፣ ወይ ከኣ ናይ ንኡሰ ክርስትያን 1230
ሕንጸታዊ ኵስኰሳ ዕላማኡ ነቲ መለኮታዊ ተበግሖ ዚበቅዕ ምላሽ ብምሃብን፣ ምስ'ታ ማኅበረ ቤተክርስትያን ብምሕባርን፣ ነቲ ናብ እምነት ምእታዎምን፡ ብቐንዱ እምነቶምን ናብ ብስለት ንምብጻሕ እዩ። መደብ ንኡስ ክርስትያን እምበኣር "እቶም ደቀመዛሙርት ምስ ክርስቶስ መምህሮም ዚጽንበሩሉ ...ንመላእ ክርስትያናዊ ሕይወቶም ዚርኢ ሕንጸትን ዕብየትን እዩ። ነዞም ንኡስ ክርስትያን ናብ ምሥጢረ ድኅነትን፣ ብወንጌላዊ ሥነምግባር ናብ እትምራሕ ሕይወትን ብዚግባእ ኪተኣታተዉ፣ በቲ ተኸታታሊ መንፈሳዊ ሥርዓታትን መደባትን ከኣ፡ ነቲ ናይ ሕዝበ-እግዚኣብሔር ሕይወት-እምነትን፣ ኣምልኾትን፣ ግብረ-ሠናይነትን ኪለማመድዎ ይግባእ።"[47]

**1249** እዞም ሓደስቲ ንኡስ ክርስትያን"ድሮ ኣብ ቤተክርስትያን ተጸንቢሮም 1259
እዮም፤ ብቕድሙ'ውን ስድራቤት-ክርስቶስ ብምዃን፣ ነታ ናይ እምነትን ተስፋን

---

[46] ሕገቀኖና፣ቀ. 864፣ሕገቀኖና ምሥ.CCEO, ቀ. 679 .
[47] ናብ ኣሕዛብ AG 14፣RCIA 19፣98 ረአ

ፍቕርን ሕይወት ዘዘውትሩ ዘለዉ እዮም”።[48] “ኣዴና ቅድስት ቤተክርስትያን ድማ ድሮ ናታ ገቢራቶምስ፡ ብፍቕርን ብጎልዮትን ሓቝፋቶም ትርከብ”።[49]

## ጥምቀት-ሕፃናት

**1250** ነቲ ውዱቕ ሰብኣዊ ባሕርይ ሒዞም ዝተወልዱን፣ ብኃጢኣት-ኣዳም
403 ዝረስሑን፡ ከም ምኳኖም መጠን፣ ካብ ኃይሊ-ጸልማት ተናጊፎም፣ ኲሎም ሰባት
1996 ናብ ዝተጸውዑሉ ሓርነት ደቂ-እግዚኣብሔር ዚጭበጠሉ ቦታ፡ ምእንቲ ኪሳገሩ፣ ሕፃናት'ውን እንተኾኑ ብጥምቀት ዳግም ኪውለዱ ኣድላዪ እዩ።[50] ጸጋ-ድኅነት፣ ብልግሢ ዚወሃብ ፈጺሙ ናጻ ህያብ ምኳኑ ብጥምቀት ሕፃናት ይግለጽ። ቤተክርስትያን ኮነት ወይ እቶም ወለዱ፡ ንሓደ ሕፃን ምስተወልደ ብኡብኡ ኪጥመቕ ዕድል ምስ ዘይህብዎ፣ ውሉድ-ኣምላኽ ናይ ምኳን ብዋጋ ዘይትመን ጸጋ ይኸልእዎ ከምዘለዉ እዩ።[51]

**1251** እግዚኣብሔር ሕድሪ ንዘረከቦም ሕይወት መጠን መገብታ (ሞግዚታ) ኪከናኸንዋ ምስ ዘለዎም መዝነት፣ እዚ ልምድ'ዚ ኣዝዩ ዘሳኒ ምኳኑ ክርስትያን-ወለዲ ኪግንዘብዎ ይግባእ።[52]

**1252** እዚ ጥምቀት-ሕፃናት ኣብ ቤተክርስትያን ካብ ጥንተ-ዘመናት ዝጸንሐ ክቡር ትውፊት እዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ካብ ካልኣይ ምእተዓመት ኣትሒዙ ከምዝተዘውተረ ግልጺ ምስክርነት ኣሎና። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ፣ ሓዋርያት ኪሰብኩ ካብ ዝጀመሩሉ፣ “መላእ ስድራቤት” ይጥመቕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ሕፃናት'ውን ይጥመቒ ከምዝነበሩ ምግማት ይከኣል።[53]

## እምነትን ጥምቀትን

**1253** ጥምቀት ናይ እምነት ምሥጢር እዩ።[54] እምነት ግን ናይ ኣመንቲ
1123 ማኅበር ተሓትት። ነፍስወከፍ ውልቀ-ምእመን ኪኣምን ዚኽእል ከኣ፣ ኣብቲ
168 እምነት-ቤተክርስትያን ሠሚሩ እዩ። ንጥምቀት ዜድሊ እምነት፣ ናይ ግዲ ብሱልን ድልዱልን (ፍጹም) እምነት ዘይኮነ፣ ጋና ንኺዓቢ ኪምዕብል ዝተመደበ ውጥን ጥራሕ እዩ። እቲ ንኡስ ክርስትያን (ተጠማቒ) ወይ ከኣ እቲ ኣቦ(ኣደ) ክርስትና “ካብ ቤተክርስትያን-ኣምላኽ እንታይ ትደሊ?” ዚብል ሕቶ ምስ ቀረበሎም፣ ምላሾም “እምነት” ዚብል እዩ።

---

[48] ናብ ኣሕዛብ AG 14 § 5 ረአ
[49] ብር.ኣሕ. LG 14 § 3፣ሕገቀኖና፣ ቀ. 206፣788 § 3 ረአ
[50] ጉባኤ ትረንቶስ (1546)፡ DS 1514፣ ቆላ 1፡12-14 ረአ
[51] ሕገቀኖና፣ቀ. 867፣ሕገቀኖና ምሥ.CCEO, Cann 681፣686, 1 ረአ
[52] ብር.ኣሕ. LG 11፣41፣ፍሥሓን ተስፋን GS 48፣ሕገቀኖና፣ቀ. 868.
[53] ግ.ሓ 16፡15፣ 33፣18፡8፣1 ቆሮ 1፡16፣CDF, instruction,Pastoralis actio፡ AAS 72 (1980) 1137-1156.
[54] ማር 16፡16 ረአ

**1254** ዓበይቲ ይኹኑ ሕፃናት፣ ኣብ ኵሎም እቶም ዝተጠምቁ እምነት ብድሕሪ ጥምቀት እያ እተዓብን እትስጕምን። በዚ ምኽንያት'ዚ ኸኣ ቤተ ክርስትያን ዓመት-መጽአ ኣብ ዋዜማ ፋሲካ ናይ ጥምቀታዊ መብፅዓ ምሕዳስ ሥርዓት ከተኽብር ክትዝክር ትርከብ። ንጥምቀት ዚግበር ምስንዳው ናብ ልዳት'ታ ሓዳስ ሕይወት ጥራሕ'ዩ መሪሑ ዜብጽሕ። ምእንት'ዚ ጥምቀት መላእ ክርስትያናዊ ሕይወት ናይ ዚፍልፍለሉ ሓዲስ ሕይወት ምንጪ እያ። 2101

**1255** ጸጋ-ጥምቀት ንኺግለጽ፡ ናይ ወለዲ ምትሕብባር ኣድላዪ እዩ። ነቲ ሓዲስ ዝተጠምቀ ሕፃን፡ ወይ ብጹሕ፣ ብመንገዲ ሕይወት-ክርስትና ንምምራሕ ምእንቲ ኪኽእሉ፣ ድልዱላት ኣመንቲ ኪኾኑ ናይ ዘለዎም ኣቦ/ኣደ ክርስትና እጃም'ውን ከምኡ እዩ።[55] መዝነቶም ድማ ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ኣብ ቤተ ክርስትያን ዚፍጸም ሥልጣን እዩ።[56] ነቲ ብጥምቀት ዝተዋህበ ጸጋ ኣብ ምምዕባልን ምድልዳልን፡ ውሕስነት ምሃብን እታ መላእ ናይ ቤተክርስትያን ማኅበረ-ምእመናን ገለ ዓይነት መዝነት ኣለዋ። 1311

## V. መን'ዩ ከጠምቕ ዚኽእል?

**1256** ብሕጊ ዝተሠርዑ ዓደልቲ ጥምቀት ኣቡን (ጳጳስ) ካህን፣ ኣብ ላቲናዊት ቤተክርስትያን ከኣ ዲያቆን ከይተረፈ እዮም።[57] ኣብ ግዜ ጸገምን ግድነትን ድማ እቲ ኪህሉ ዚግበኦ ኅሊናን ኣተናን ዝሓዘ፣ ዝኾነ ይኹን ሰብ፣ ዘይተጠምቀ'ውን ይኹን ነቲ ናይ ቅድስቲ ሥላሴ ናይ ጥምቀት ቃላት ተጠቒሙ ከጠምቕ ይኽእል እዩ፤ (ሕገ ቀኖና 861/2)። እቲ ዚድለ ኅሊና ወይ ኣተና ድማ፣ ቤተክርስትያን ከተጠምቕ ከላ ንእትገብሮ ኵሉ ክትገብር ምድላይን ምኅላንን እዩ። ቤተክርስትያን ነዚ ዕድል'ዚ ዝሃበትሉ ቀንዲ መሠረቱ፣እግዚኣብሔር ንዅሉ ዓለም ኬድኅን ዘለዎ ፍቓዱን ሥምረቱን፡ ከምኡ'ውን ጥምቀት ንድኅነት ዘለዎ ኣድላይነቱን እዩ።[58] 1239-1240 1752

## VI. ኣድላይነት ጥምቀት

**1257** ጥምቀት ንድኅነት ኣድላዪ ምዃኑ ጐይታ ባዕሉ ዜረጋግጾ እዩ።[59] 1129
ንደቀመዛሙርቱ'ውን፡ ንዅሎም ሕዝብታት ወንጌል ኪሰብኩሎምን ከጠምቕዎምን 161:846
ኣዘዞም።[60] ነቶም ወንጌል ዝተሰብከሎምን፡ ነዚ ምሥጢር'ዚ ንኪሓቱን ኪደልዩን

[55] ሕገቀኖና፣ ቀ. 872-874 ረአ
[56] ቅዱስ ጉባኤ SC 67 ረአ
[57] ሕገቀኖና፣ቀ. 861 ፣ 1፣ሕገቀኖና ምሥ.CCEO, ቀ. 677 § 1 ረአ
[58] 1 ጢሞ 2፡4 ረአ
[59] ዮሓ 3፡5 ረአ
[60] ማቴ 28፡19-20፣ጉባኤ ትረንቶስ(1547)DS:1618፣ብር.ኣሕ.LG 14፣ናብ ኣሕዛብ.AG 5 ረአ

ዕድል ንዝተዋህቦም ዘበሉ ኲሎም፡ ጥምቀት ንድኅነቶም ኣድላዪ እዩ።[61] ናብ ዘለዓለማዊ ብፅዕነት ንምእታው ዜኽእልን ርግጽነት ዚህብን ብዘይካ ጥምቀት ካልእ ቤተክርስትያን እትፈልጦ ማለት እትቕበሎ መጋበሪ የልቦን። ምእንትʼዚ እዩ ድማ ቤተክርስትያን፣ እቲ ካብ ጐይታ ዝተቐበለቶ፡ ተልእኮት ሸለል ንከይበሃል፣ እቶም ኪጥመቑ ዚኽእሉ (ዚግበኦም) እውን "ካብ ማይን መንፈስ ቅዱስን" ከምዝተወልዱ ንኽተረጋግጽ ዕዙዝ ጥንቃቐ እትገብር። እግዚኣብሔር፡ ንመደብ ድኅነት ምስ ምሥጢረ-ጥምቀት ኣተኣሳሲርዎ እዩ፤ ንርእሱ ግን በዚ ምሥጢራቱ ኣይእሰርን እዩ።

**1258** ጥምቀት ከይተቐበሉ ከለዉ፣ ምእንቲ እምነቶም ኪብሉ ዝሞቱ
2473 ኲሎም፣ ምስ ክርስቶስን ምእንትኡን ብዝተቐበልዎ ሞቶም ከምዝተጠመቑ ቤተክርስትያን ወትሩ ብጽኑዕ ርድኢት እትኣምኖ እዩ። እዚ ናይ ደም ጥምቀት ድማ፣ ልክዕ ከምቲ ሃረርታ-ጥምቀት፣ ወላʼኳ ምሥጢር ኣይኹንʼእምበር፡ እቲ ናይ ጥምቀት ፍርያት ምሃቡ ኣይተረፎን።

**1259** እቶም ቅድሚ ጥምቀቶም ዝሞቱʼሞ ንኺጥመቑ ጽኑዕን ምሉእን
1249 ሃረርታን፣ ናይ ኃጢኣቶም ንስሓን፣ ከምኡʼውን ግብረ-ሠናይ ዘርኣዩ፣ እዚ ሃረርታኦምን ድሌታቶምን ተደማሚሩ ነቲ ብምሥጢረ-ጥምቀት ኪቕበልዎ ዕድል ዘይረኸቡ ድኅነት ከምዚረኽቡ የረጋግጸሎም።

**1260** "ክርስቶስ ምእንቲ ኲሎም ስለዝሞተ፣ ኲሎም ሰባትʼውን፡ ሓንትን
848 መለኮታዊትን ንዝኾነት ዕጫ ዝተመደቡ (ዝተጸውዑ) ብምዃኖም፣ ባዕሉ ኣምላኽ ብዚፈልጦ ኣገባብ፣ ኲሎም ሰባት ኣብʼቲ ፋሲካዊ ምሥጢር ንኺሳተፉ መንፈስ ቅዱስ ዕድል ከምዚህቦም ክንኣምን ይግበኣና።"[62] ዝኾነ ይኹን ናይ ወንጌል ክርስቶስን ቤተክርስትያኑን ኣፍልጦ ዘይብሉ ክነሱ፣ ግን ብመሠረት ርድኢቱ ንሓቂ ሃሰስ ዚብላን (ዚደልያ) ፍቓድ-ኣምላኽ ከኣ ኪመልእ ዚጽዕርን ሰብ ኪድኅን ይኽእል እዩ። ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት፡ ናይ ጥምቀት ኣድላይነቱ ተጋሂዱሎም እንተዚኸውን፣ ንጥምቀት ብግልጺ ምበሃግዎ፡ ዚብል ግምት ከተሕድር ይከኣል።

**1261** ኣብʼቲ ምእንታʼኣቶም እትፍጽሞ ሥርዓተ-ቀብሪ ከምእትገብሮ፣ ነቶም
1250 ከይተጠምቁ ዝሞቱ ሕፃናት ብዚርኢ፣ ቤተክርስትያን ናብ ምሕረት-ኣምላኽ
1257 ጥራሕ እያ ከተማዕቍቦም፡ እትርከብ። ብሓቂʼውን ኲሎም ሰባት ኪድኅኑ ናይ ዚብህግ ኣምላኽ፣ እታ ዘለዓለማዊት (ዓባይ) ምሕረቱ ከምኡʼውን "ንሕፃናት ናባይ ኪመጽኡ ኅደግዎም፤ ኣይትኽልክልዎም"[63] ንኺብል ዝደረኾ፣ ኢየሱስ ንሕፃናት ዝነበሮ ርኅራኄኡን፡ ኣፍቅሮቱን፣ እዚ ኲሉ እምበኣር እቶም ከይተጠመቑ ዝሞቱ ሕፃናት፡ ዚድኅንሉ መንገዲ ከምዘሎ ንኽንትስፎ የኽእለና። ኣብʼዚ ኹሉ እቲ ህጹጽ ኮይኑ ዚርከብ ግን፣ ንኡሳን ሕፃናት ብጸጋ ምሥጢረ

---

[61] ማር 16፡16 ረኣ
[62] ፍሥሓን ተስፋን GS 22 § 5፣ ብር.ኣሕ.LG 16፣ናብ ኣሕዛብ AG 7 ረኣ
[63] ማር 10 14፣1 ጢሞ 2፡4 ረኣ

ጥምቀት ናብ ክርስቶስ ንኺመጽኡ ከይኽልከሉ ዚብል ናይ ቤተክርስትያን ጽኑዕ ለበዋን፣ ረዚን መጸዋዕታን እዩ።

## VII. ጸጋ ጥምቀት

**1262** ናይ ጥምቀት ዝተፈላለየ (በብዓይነቱ) ፍርያት፣ በቲ ርኡይ ዝኾነ 1234
ናይ ምሥጢር ሥርዓት ተመልኪቱ (ግልጺ ኮይኑ) ኣሎ። ኣብ ማይ ምጥላቕ፡ ናይ ሞትን ንጽሓትን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ናይ ዳግም ልደትን፣ ተሓድሶ-ሕይወትን ኣምሳል እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ፡ እተን ክልተ ቀንዲ ፍረ ዚበሃላ፣ ካብ ኃጢኣት ምንጻሕን፣ ብመንፈስ ቅዱስ እትርከብ ሓዳስ ልደትን እየን።[64]

### ንሥርየተ-ኃጢኣት...

**1263** ኵሉ ኃጢኣት ዘበለ፣ ኃጢኣት-ኣዳም ይኹን፡ ናይ ባዕልኻ ኃጢኣት፡ 977
ከምኡ'ውን መቕጻዕቲ ኃጢኣት፡ ብጥምቀት ተደምሲሱ (ተሓዲጉ) እዩ።[65] ካብ 1425
ኃጢኣት-ኣዳም ይኹን፣ ካብ ናይ ባዕሎም ኃጢኣት፣ ከምኡ ዝለዓለ ጠርዙ ካብ ኣምላኽ ምፍላይ ዝኾነ እቲ ሳዕቤን-ኃጢኣት'ውን እንተኾነ ካብ'ቶም ዳግም ዝተወልዱ ኣልጊሱ፣ ናብ መንግሥተ-ሰማይ ንምእታው ዚዓግቶም ወላ ሓደ'ኳ የልቦን።

**1264** እንተኾነ ከም ሥቓይ፣-ሕማም፡ ሞት ከምኡ እውን ከም ናይ ጠባያት 975
ድኻምነት ዝበለ ኣብ ሕይወት ብቐንዳ ዝተሰኽዐ ገሊኡ ጸገማት፣ ....ቅዱስ 2514
ትውፊት "ፍትወት" ኢሉ ዚሰምዮ ናይ ኃጢኣት ዝንባሌ፣ ወይ ከኣ ብኣምሳላዊ 1426:405
ኣዘራርባ "ትኪ-ኃጢኣት" (ዚለዓዓል) ዚበሃል ኣሎ፣ ዚቕጽል ከኣ እዩ። ንፍትወት "ምውጋኡ ነኣና ዝተመደበ ዕማም ስለዝኾነ፣ ነቶም ብጸጋ ኢየሱስ ክርስቶስ (ብሰብእነቱ) ብጅግንነት ዚቃወምዎ እምበር፡ ኢዶም ዘይህቡ፡ ዘምጸኣሎም ጉድኣት የልቦን።"[66] ብርግጽ'ውን "እቲ ከም ሕጊ ዝተወዳደረ እንተዘይኮይኑ ኣኽሊል-ዓወት ኪጭብጥ ዚኽእል የልቦን።"[67]

**1265** ጥምቀት፡ ካብ ኃጢኣት ዜንጽሕ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ነቲ ሓዲሽ 505:460
ተጠማቒ "ሓዲሽ ፍጥረት"፣ "ኣብ መለኮታዊ ባሕርይ ከምዚሳተፍ"[68] ዝተገብረ

---

[64] ግ.ሓ 2:38፣ዮሓ 3:5 ረአ
[65] ጉባኤ ፍሎሬንስ (1439)፡ DS 1316 ረአ.
[66] ጉባኤ ትረንቶስ (1546)፡ DS 1515
[67] 2 ጢሞ 2:5
[68] 2 ቆሮ 5:17፣2 ጴጥ 1:4፣ገላ 4:5-7 ረአ

ንኣምላኽ ወዲ-ጸጋኡ፣ ኣባል-ክርስቶስን መዋርስቱን[69]፣ ቤትመቕደስ መንፈስ ቅዱስን፡ ይገብሮ።[70]

**1266** ቅድስተ ቅዱሳን ሥላሴ ኣብ ልዕልʼቲ ተጠማቒ ቐዳሲ-ጸጋን፣ ናይ
1992 ጽድቅ (ኣጽድቆት) ጸጋን የፍስስ፡-
1812
1831 - በዚ ኸኣ በቲ ናይ ሥነምግባር መለኮታዊ ኃይላት ገቢሮም ኣብ ኣምላኽ
1810 ኪኣምኑን ኣብኡ ኪትስፈዉን ነኣኡ ኬፍቅሩን የኽእሎም፤

- ኣብ ትሕቲ ድፍኢት መንፈስ ቅዱስ ንኺነብሩን ንኪሰርሑን፣ ብህያባት መንፈስ ቅዱስ ገቢሩ ኃይሊ ይህቦም፤
- በቲ ናይ ሞራል መንፈሳዊ ኃይላት ኣብ ሕያውነትን ሠናይነትን ንኺዓብዩ የኽእሎም፤

ምእንትʼዚ እምበኣር፣ እቲ መላእ ናይ ክርስትያን መልዕልተ-ባሕርያዊ ሕይወት መሠረተ "ሕንጻኡ" ኣብ ጥምቀት እዩ ዘሎ።

## ኣብʼታ ኣካል-ክርስቶስ (ቤተክርስትያን) ምውህሃድ የድሊ

**1267** ጥምቀት፡ ኣባላት ምሥጢራዊ ኣካል-ክርስቶስ ይገብረና። "ስለዚ...
782 ንሕና ኣባላት-ሓድሕድ ኢና"።[71] ጥምቀት ምስ ቤተክርስትያን ብመላኣ የወሃህደና። ምእንትʼዚ ካብʼቲ ዓይኒ-ማይ ጥምቀት ንባሕርያዊ ወይ ሰብኣዊ ደረት-ሃገራትን፡ ባህልታትን (ሕንጸተ-ሰባትን) ዓሌታትን፡ ጾታን ስዒሩ ወይ ሰጊሩ ዝቖመ እቲ ናይ ሓዲስ ኪዳን ሓዲሽ ሕዝበ-እግዚኣብሔር ኪውለድ ተረኽበ። ምኽንያቱ ከኣ "ንሕና ኵልና ሓደ ኣካል ንምኳን፣ በቲ ሓደ መንፈሱ ኢና ተጠሚቕና"[72]።

**1268** እቶም ዝተጠምቁ ኣብቲ "መንፈሳዊ ሕንጻ ተሓኒጾም፣ ቅዱስ ክህነት
1141 ምእንቲ ኪኾኑ"፣ "ሕያው ኣእማን" ኮይኖም እዮም።[73] ብጥምቀት ኣብ ናይ
784 ኢየሱስ ክህነቱን፣ ኣብʼቲ ነቢያውን ንጉሣውን ተልእኮቱን ይሳተፉ። ንሳቶም "ኅሩይ ዓሌት (ወለዶ)፣ ናይ ንጉሥ ክህነትን፣ ቅዱስ ሕዝብን ካብ ጸልማት ናብʼቲ ዜደንቕ ብርሃን ንዘጸወዮም ነቲ መንክር ተግባራቱ ምእንቲ ኪነግሩ ዝተመርጹ ርስቲ-ኣምላኽ ዝኾነ ሕዝብን እዮም"[74]። ጥምቀት፣ ኣብ ናይ ኵሎም ምእመናን ሓባራዊ ክህነት ተሳታፊ ይገብረካ።

---

[69] 1 ቆሮ 6:15፣12:27፣ሮሜ 8:17 ረአ
[70] 1 ቆሮ 6:1 ረአ
[71] ኤፌ 4:25
[72] 1 ቆሮ 12:13
[73] 1 ጴጥ 2:5
[74] 1 ጴጥ 2:9.

**1269** እቲ ተጠማቒ፣ ኣባል-ቤተክርስትያን ድሕሪ ደኣ ኮይኑ፣ ደጊም ናይ ርእሱ ዘይኮነስ ናይ'ቲ ምእንታና ዝሞተን ዝተንሠአን ኮይኑ እዩ።[75] ካብ ሕጂ ንደሓር፣ ንኻልኣት እዙዝ ኪኸውን፡ኣብ ሱታፌ ቤተክርስትያን ኮይኑ ኬገልግሎም ንመራሕቲ ቤተክርስትያን ብኣኽብሮትን ኣፍቅሮትን ምእዙዝን ግዙእን[76] ኪኸውን ዝተጸውዐ እዩ።[77] ጥምቀት ከምቲ ናይ መዝነትን ግዴታታትን ምንጪ ዝኾኖ መጠን፣ መጠኑ ኸኣ እቲ ተጠማቒ ኣብ ቤተክርስትያን ዚጭብጦ መሰላትን ረብሓታትን ኣለዎ፣ ምሥጢራት ንኺዕደል፣ ብቓል-ኣምላኽ ኪስሰ (ኪምገብ)፣ ኻልእ ናይ ቤተክርስትያን መንፈሳዊ ረድኤት ኪረክብ ይኽእል።[78] 871

**1270** "እቶም መጠን ደቂ-እግዚኣብሔር ዳግም ዝተወልዱ (ተጠመቕቲ)፣ ብቤተክርስትያን ኣቢሎም ካብ እግዚኣብሔር ንዝተቐበልዋ እምነት፡ ኣብ ቅድሚ ሰባት ብግልጺ ኪእመኑዋ፣ ኪገልጹዋ፣ ኣብ ናይ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ሓዋርያውን ተልእኮኣውን ተግባራት'ውን ኪሳተፉ ትሑዛት እዮም።[79]

## ናይ ሓድነት ክርስትያን ምሥጢራዊ ማእሰር

**1271** ምስ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ጋና ምሉእ ሱታፌ ኅብረት ዘይብሎም እውን ከይተረፉ፣ ኣብ መንጎ ኵሎም ክርስትያን፣ ጥምቀት ናይ ኅብረትን ሱታፌን መሠረት እዩ። "ኣብ ክርስቶስ ዝኣመኑን፣ ብዚግባእ'ውን ዝተጠምቁ ሰባት፡ ፍጹም'ኳ እንተዘይተባህለ፡ ምስ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ገለ ዓይነት ኅብረት ወይ ሱታፌ ኣለዎም። ብሳላ እምነት፡ ኣብ ጥምቀት ምስ ክርስቶስ ብምውህሃድ ጽድቂ ዝረኸቡ ስለዝኾኑ፣ ንሳቶም ክርስትያን ኪበሃሉ መሰል ኣለዎም፤ ብደቂ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ናይ ኣኅዋትን ኀውነትን ተቐባልነት ኪረኽቡ ከኣ ብቑዕ ምኽንያት ኣሎ"።[80] "ጥምቀት እምበኣር፣ ኣብ'ቶም ኵሎም በኣኡ ዳግም ዝተወልዱ ዚርከብ፣ ናይ ሓድነት ምሥጢራዊ ማእሰር ዘቕውም እዩ።"[81]

## ዘይበርስ መንፈሳዊ ማኅተም...

**1272** እቲ ብጥምቀት ምስ ክርስቶስ ዝተዋሃሃደ ተጠማቒ፣ ብምስሊ ክርስቶስ ዝተቐርፀ እዩ። ክርስትያን ናይ ክርስቶስ ምኻኑ ዚምስክረሉ፣ ናይ ማኅተመ ጥምቀት ዘይበርስ መንፈሳዊ ምልክት ይግበረሉ። ምሥጢረ ጥምቀት ብመንፈሳዊ ፍርያት-ድኅነት ንኸይዕንብብ'ኳ ኃጢኣት ዚዕንቅጾ እንተኾነ፤ ነዚ

[75] 1ቆሮ 6፡19፣2 ቆሮ 5፡15 ረአ
[76] ዕብ 13፡17
[77] ኤፌ 5፡21፣1 ቆሮ 16፡15-16፣1 ተሰ 5፡12-13፣ዮሓ 13፡12-15 ረአ
[78] ብር.ኣሕ. LG 37፣ሕገቀኖና፣ ቀ. 208-223፣ሕገቀኖና ምሥ.CCEO, ቀ. 675፡2 ረአ
[79] ብር.ኣሕ. LG 11፣ ብር.ኣሕ. LG 17፣ናብ ኣሕዛብ AG 7፣23 ረአ
[80] ኅብረት ክርስትያን UR 3
[81] ኅብረት ክርስትያን UR 22 § 2.

ማኅተም ወይ ምልክት ግን ዚድምስሶ ኃጢኣት የልቦን።[82] ሓንሳብ ንወትሩ ዝተዋህበ ምሥጢረ ጥምቀት ፈጺሙ ኪድገም ኣይከኣልን እዩ።

**1273** ብጥምቀት ምስ ቤተክርስትያን ስለዝተወሃሃዱ፣ምእመናን ንኽርስትያናዊ መንፈሳዊ ኣምልኾትን ስግደትን ዚፈልዮም (ዘወፍዮም) ምሥጢራዊ ማኅተም ተቐቢሎም እዮም።[83] ማኅተመ ጥምቀት እምበኣር ንኽርስትያን፣ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን መንፈሳዊ ኣምልኾት ብዚገብርዎ ሕያው ተሳትፎ፡ ንእግዚኣብሔር ንምግልጋል ኪዕጠቑ፣ ከምኡ'ውን ብቅዱስ ሕይወቶምን ብግብራዊ ናይ መደብ ፍቕሪ ምስክርነቶምን፣ ነቲ ብጥምቀት ዝለበስዎ ክህነት ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ የኽእሎም።[84]

**1274** "ንዕለተ-ድኅነት" ብዚኸውን "ማኅተም-ጐይታ" መንፈስ ቅዱስ ኅቲሙልና
197 2016 እዩ።[85] በሓቂ'ውን ጥምቀት ናይ ሕይወት-ዘለዓለም ማኅተም እዩ።[86] ንናይ ጥምቀቱ ግዴታታት ብተኣማንነት ብምፍጻም ክሳብ መወዳእታ "ነታ ማኅተም" ዝሓለዋ ክርስትያን-ምእመን፣ ናይ እምነቱ ተፍጻሜት ብዝኾነ ሃረርታ ብፁዓዊ ትርኢት-ኣምላኽ ተመሊኡ፣ ብተስፋ-ትንሣኤ ተጸናኒዑ፣ ምስ'ዛ ናይ ጥምቀት እምነቱ "ብትእምርተ-እምነት ተዓቲቡ"[87] ካብ'ዛ ሕይወት'ዚኣ ኪሳገር እዩ።

---

## ብሓጺር

**1275** መባእታ ክርስትና በተን ሠለስተ ምሥጢራት ብሓባር ይፍጸም፤ ጥምቀት፡ ናይ ሓዲስ ሕይወት ምጅማር እዩ፤ ሜሮን ርደተ መንፈስ ቅዱስ ከኣ የጽንዖ፤ ቅዱስ ቍርባን ድማ እቲ ወደመዝሙር ናብ ክርስቶስ ምእንቲ ኪልወጥ፣ ብሥጋኡን ደሙን ዚምግቦ እዩ።

**1276** "እምበኣርከስ ኪዱ! ንዅሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጠመቕኩም ነቲ ዝኣዘዝኩኹም ኪሕልዉ መሃርዎም" (ማቴ.28፡ 19-20)።

**1277** ጥምቀት ማለት ኣብ'ታ ብኽርስቶስ እትህሉ ሓዳስ ሕይወት ምውላድ እዩ። ብመሠረት ድላይ-ጐይታ ከኣ፡ ልክዕ ከምታ፡ ብጥምቀት እንኣትዋ ቤተክርስትያን ንድኅነት ኣድላዪት ዝኾነቶ፣ ጥምቀት'ውን ንድኅነት ኣድላዪ እዩ።

---

[82] ሮሜ 8፡29፣ጉባኤ ትረንቶስ (1547)፡ DS 1609-1619 ረአ
[83] ብር.ኣሕ. LG 11 ረአ
[84] ብር.ኣሕ. LG 10 ረአ
[85] ቅ.ኣጐስጢኖስ Ep. 98, 5፡ PL 33, 362፣ኤፌ 4፡30፣1፡13-14፣2 ቆሮ 1፡21-22 ረአ
[86] ቅ.ኢረነዩስ Dem ap. 3፡ ቅዱስ ጉባኤ SCh 62፣ 32
[87] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ EP I (Roman Canon) 97

1278 ሥርዓት ኣፈጻጽማ ጥምቀት፣ነቲ ተጠማቒ ኣብ ማይ ብምጥላቕ፣ ወይ ከኣ ኣብ ርእሱ ማይ ብምኽዓው ማዕረማዕረኡ ድማ ስም ቅድስት ሥላሴ ኣብ፡ ወልድ፡ መንፈስ ቅዱስ ምጽዋዕ የጠቓልል።

1279 ናይ ጥምቀት ፍረ፣ ወይ ድማ እቲ ጸጋ-ጥምቀት ዚበሃል፣ ናይ ኃጢኣት-ኣዳምን ናይ ባዕልኻ ኃጢኣትን ኅድገት፣ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ወዲ-ጸጋኡን፡ኣባል ክርስቶስን፣ ቤተመቕደስ መንፈስ ቅዱስን ዚገብሮ፣ ናብ ሓዳስ ሕይወት ምውላድን ዘጠቓልል ሃብታም ዝኾነ ህልውና እዩ። በዚ ክዉን ነገር'ዚ ድማ እቲ ዝተጠመቐ ሰብ፣ ኣብታ ኣካል-ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስትያን ይወሃሃድ፣ ኣብ'ቲ ክህነት-ክርስቶስ ድማ ተሳታፊ ይኸውን።

1280 ጥምቀት ኣብ ልዕሊ'ታ ነፍሲ ናይ ዘይበርስ (ዘየኅስስ) ምልክት ማኅተም የቐምጠላ፤ እዚ ኸኣ ነቲ ተጠማቒ፣ ንኽርስትያናዊ ኣምልኾ ዚቕድሶ እዩ። በቲ ማኅተም'ቲ ምኽንያት ድማ ጥምቀት ፈጺሙ ኣይድገምን እዩ። (ደንዚንገር DS, 1609፣ ደንዚንገር 1624 ረአ)

1281 እቶም ጋና ንኡስ ክርስትያን ኮይኖም፡ ምእንቲ እምነቶም ዝሞቱ፣ ከምኡ'ውን ንቤተክርስትያን ከይፈለጥዋ ከለዉ፣ ብሕሹኽታ ጸጋ ተመሪሖም፣ ብቕንዕና ንኣምላኽ ሃሰስ ዚብልዎ፣ ፍቓዱ ንምፍጻም'ውን፡ ዚጽዕሩ እዚኣቶም ወላ'ኳ እንተዘይተጠምቁ ኪድኅኑ ይኽእሉ እዮም (ብርሃነ ኣሕዛብ LG.16)።

1282 ካብ ዝኾነ ይኹን ሰብኣዊ ሞያ ነጻ ኮይኑ ዚወሃብ፣ ጸጋን ናይ ኣምላኽ ህያብን ስለዝኾነ፣ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ጥምቀት ንሕፃናት እውን ኪዕደል ጸኒሑ እዩ። ሕፃናት ብእምነት-ቤተክርስትያን እዮም ዚጥመቑ። ናብ ሕይወት ክርስትና ምእታው ማለት ሓቀይና ናጽነት ምርካብ እዩ።

1283 ነቶም ብዘይ ጥምቀት ዝሞቱ ሕፃናት ብዚርኢ፣ ሊጡርግያ-ቤተክርስትያን ኣብ ምሕረት-ኣምላኽ ክንምሕጸንን፡ ንድኅነቶም ክንጽልን ይዕድመና።

1284 ኣብ ግዜ ግድነት፣ ሓንትስ እቲ ቤተክርስትያን እትገብሮ እገብር ኣሎኹ ዚብል ኅሊና የሃልዎ፣ ማይ ኣብ ርእሲ ተጠማቒ እናኽዓወ ከኣ፣ "ኣነ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣጠምቐኻ ኣሎኹ"ንዚብላ ቃላት ደኣ ብግቡእ ይድገመን'ምበር፣ ዝኾነ ሰብ ከጠምቕ ይኽእል እዩ።

## ኣንቀጽ 2
# ምሥጢረ ሜሮን (ምሥጢረ ቅብኣት)

**1285** ጥምቀት፣ ቅዱስ ቍርባን፣ ከምኡ'ውን ምሥጢረ ሜሮን (ቅብኣተ-መንፈስ ቅዱስ) ሓቢሮም "ናይ መባእታ-ክርስትና ምሥጢራት" ይበሃሉ፣ ሓድነቶም እውን ኪሕሎ ይግባእ። ምቕባል ምሥጢረ ሜሮን (ቅብኣተ መንፈስ ቅዱስ)ንምልኣት ጸጋ-ጥምቀት ኣድላዪ ምዃኑ ንምእመናን ብዚግባእ ኪግለጸሎም የድሊ።[88] ምኽንያቱ ከኣ "እቶም ዝተጠምቁ፡ ብምሥጢረ ሜሮን ምስ ቤተ ክርስትያን ኣጸቢቖም ይወሃሃዱ፣ ብፍሉይ ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ድማ ይድልድሉን ይምዕብሉን። ምእንት'ዚ ኸኣ፡ ከም መጠን ኡነተይናታት መሰኻኽር ክርስቶስ፣ ነታ እምነት ብቓልን ብግብርን ከስፍሑዋን ኪሕልውዋን (ኪከላኸሉላን) ጽኑዕ ግዴታ ኣለዎም።"[89]

## I. ምሥጢረ ሜሮን ኣብ ሥነ-ምጋቤ ድኅነት

**1286** መንፈስ-እግዚኣብሔር ጐይታ፣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ተስፋኡን ትጽቢትን
702-716 ዝተገብረሉ መሢሕ ወሪዱ፣ ኣብ ድኅነታዊ ተልእኮቱ ከምዚሕግዞ፣ ነቢያት ድሮ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘበሠርዎ እዩ።[90] ኢየሱስ ብዮሓንስ ኣብ ዝተጠምቀሉ፣ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸመ ርደተ-መንፈስ ቅዱስ ድማ፣ንሱ እቲ ኪመጽእ ዘለዎ መሢሕ ወልደ-እግዚኣብሔር ምዃኑ ዜመልክት ነበረ።[91] ንሱ ብመንፈስ ቅዱስ ተጸንሰ፤ መላእ ሕይወቱን ተልእኮቱን ከኣ፣ ምስ'ቲ እግዚኣብሔር-ኣቦ "ብዘይ ዓቐን"[92] ዝሃቦ መንፈስ ቅዱስ ብዝነበሮ ምልኣተ-ሱታፌን ኅብረትን ዝተፈጸመ እዩ።

**1287** እዚ ምልኣት-መንፈስ ድማ ናይ'ቲ መሢሕ ንብሕቱ ጥራሕ ኮይኑ
739 ዚተርፍ ዘይኮነስ፣ ናብ'ቲ መላእ መሢሓዊ ሕዝቢ ኪመሓላለፍ(ኪዕደል) ዘለዎ እዩ።[93] እዚ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምፍሳስ፡ ኢየሱስ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ዘተስፈዎን ቃል ዝኣተወሉን እዩ።[94] ነዚ ቃል-ተስፋ'ዚ ድማ፡ ፈለማ ኣብ ሰንበተ-ትንሣኤ ቀጺሉ ብዘደንቕ ኣገባብ ኣብ ጰንጠቆስጤ ኪፍጽሞ ተረኽበ።[95] እቶም ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልኡ ሓዋርያት ከኣ ነቲ "ዓቢይን ኃያልን ስራሓት-ኣምላኽ" ብግልጺ ኪነግሩ፣ ጴጥሮስ'ውን እዚ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ ናይ'ቲ

---

[88] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ Rite of Confirmation (OC), Introduction 1
[89] ብር.ኣሕ. LG 11፣ ሥርዓተ ሜሮን OC, Introduction 2.
[90] ኢሳ 11፡2፣61፡1፣ሉቃ 4፡16-22 ረአ
[91] ማቴ 3፡13-17፣ዮሓ 1፡33-34 ረአ
[92] ዮሓ 3፡34
[93] ሕዝ 36፡25-27፣ኢዮ 3፡1-2 ረአ
[94] ሉቃ 12፡12፣ዮሓ 3፡5-8፣7፡37-39፣16፡7-15፣ግ.ሓ 1፡8 ረአ
[95] ዮሓ 20፡22፣ግ.ሓ 2፡1-14 ረአ

መሢሓዊ ዘመን(እዋን) ምልክት ምዃኑ ኣወጀ።[96] እቶም ኣብ ስብከተ-ሓዋርያት ዝኣመኑን ዝተጠምቁን ብግዴኦም ህያብ መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ።[97]

1288 "ካብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣትሒዞም ድማ ሓዋርያት፣ ንፍቓድ-ክርስቶስ ኪመልኡ፣ ኣብ ልዕሊ'ቶም ሓደስቲ ዝተጠምቁ ኢዶም ብምንባር፣ ነቲ ጸጋ ጥምቀት ምልኣት ዚህቦ፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ህያብ ከምዚወርዶም ገበሩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ኸኣ፡ ኣብ መልእኽቲ ዕብራውያን ከምንረኽቦ፡ እቲ ንጥምቀትን ኣንብሮተ-ኢድን ዚርኢ ትምህርተ-እምነት ናይ ትምህርቲ እምነት-ክርስትና ቀዳማይ ወገናት ኮይኑ ተዘርዚሩ ኣሎ። ኣንብሮተ-ኢድ፡ ናይ (ቅብኣተ መንፈስ ቅዱስ) ምሥጢረ ሜሮን ጥንተ መሠረትን (መበቈልን) ምዃኑን፣ ብገሊኡ ወገን ከኣ ኣብ ቤተክርስትያን ነቲ ጸጋ ጰንጠቆስጤ ዚቕጽሎ ከምዝኾነ ካቶሊካዊ ትውፊት ብቕኑዕ ዚቕበሎ እዩ።"[98] 699

1289 ድሮ ኣብ'ቲ ፈለማ እዋናት፣ ንህያብ መንፈስ ቅዱስ ኣጸቢቕካ 695
ንምጒላሕን ንምምልካትን፣ ነቲ ኣንብሮተ-ኢድ፡ ብምዑዝ ዘይቲ (ሜሮን) 436
ምቕባእ ተወሲኹዎ ይርከብ። እዚ ቅብኣት'ዚ ነቲ "ክርስትያን" ዚብል "ቅቡእ" 1297
ዜስምዕ፣ ካብቲ ኣምላኽ "ብመንፈስ ቅዱስ ዝቐብኦ" ክርስቶስ ብርእሱ ዝተወሰደ ስም ከድምቖን ኣጸቢቑ ከብርሆን ይርከብ።[99] እዚ ሥርዓተ-ቅብኣት እንተኾይኑ ኣብ ክልቲኡ ወገን፡ ኣብ ምሥራቕን ምዕራብን ወትሩ ዚቕጽል ዘሎ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ናይ ምሥራቕ ኣብያተክርስትያን ነዚ ምሥጢር'ዚ "ቅብኣት" "ብሜሮን ምቅባእ" ወይ ከኣ "ሜሮን" ቢለን ይሰምያኦ። እቲ ኣብ ምዕራብ ዝውቱር ዝኾነ "ጽንዓት"(Confirmation)ዚብል ቃል ድማ እቲ ጥምቀት ምጽናዑን ምርጋኡን፣ ምእንት'ዚ ከኣ ክልቲኡ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ፣ እቲ ጒዕዞ መባእታ-ክርስትና ምዝዛሙን፣ ናይ ጥምቀት ጸጋ ምድልዳሉን ዜመልክት እዩ።

## ክልተ ትውፊት፡ ምሥራቕን ምዕራብን

1290 ካብ ናይ ቅዱስ ቆጵርያኖስ ብሂል ከምንርድኦ፣ ኣብተ'ን ቀዳሞት ምእተዓመታት፡ ምሥጢረ ሜሮን ምስ ጥምቀት ብሓደ ግዜ ይሥራዕ፣ ስለ'ዚ ከኣ ናይ "ድርብ ምሥጢር" መልክዕ ከምዝነበሮ ይፍለጥ። ኣቡን (ጳጳስ) ኣብ ኩሉ ናይ ምሥጢረ ጥምቀት ሥርዓታትን ኣከባብራን ብኣካል ኪርከብ ዘየኽኣሎ ካብ'ቲ ገሊኡ ምኽንያታት፣ ኣብ ምሉእ ዓመት ናይ ዚጥመቑ ሕፃናት ኣኀዝ ምብርካቱ፣ ኣብ ወገን ገጠር (ዓድታት) ዘሎ ቊምስናታት ምብዛሑ፣ ናይ ሰበኻታት ምዕባይን ኪጥቀስ ይከኣል። ኣብ ምዕራብ እቲ ናይ ጥምቀት ምልኣትን ምዝዛምን ብኣቡን (ጳጳስ) ኪፍጸም ካብ ዚብል ባህግን ድሌትን፣ ነተን 1233

---

[96] ግ.ሓ 2፡11፣2፡17-18 ረአ
[97] ግ.ሓ 2፡38 ረአ
[98] ጳውሎስ 6ይ Divinae consortium naturae, 659፣ግ.ሓ 8፡15-17፣19፡5-6፣ዕብ 6፡2 ረአ
[99] ግ.ሓ 10፡38

ክልተ ምሥጢራት ንግዜኡ ምፍላየን ዚብል ባህልን ልምድን ኣንቀለ። ኣብ ምሥራቕ ግን ሓድነትን ስለዝተዓቀበ፣ ምሥጢረ ሜሮን በቲ ኣጥማቒ ካህን ኪፍጸም ይርከብ። እንተኾነ እቲ ካህን በቲ ብኣቡን ዝተባረኸ (ዝተቐደሰ) ቅዱስ ዘይቲ-ሜሮን ጥራሕ'ዩ ኪፍጽሞ ዚኽእል።[100]

**1291** ናይ ሮማዊት ቤተክርስትያን ልማድ፡ ነቲ ምዕራባዊ ኣገባብ
1242 ንምምዕባል ዜጣጥሕ ኵነታት ፈጠረ፤ ማለት ብድሕሪ ጥምቀት ብቕዱስ ቅብኣት ዚፍጸም ድርብ ቅብኣት። እቲ ቀዳማይ፣ ሓዲስ ተጠማቒ ካብ ማይ-ጥምቀት ውጽእ ምስበለ ዚግበረሉ ቅብኣት ብካህን ዚፍጸም እንኪኸውን፣ እዚ ከኣ ነቲ ሓዲስ ተጠማቒ ኣብ ግንባሩ ኣቡን (ጳጳስ) ብዚፍጽሞ ካልኣይ ቅብኣት ይዛዘም።[101] እቲ ብቅዱስ ዘይቲ ብካህን ዚፍጸም ቀዳማይ ቅብኣት፡ ምስ'ቲ ሥርዓተ ጥምቀት ተኣሳሲሩ ቀጺሉ፤ እቲ ዝተጠምቀ፡ ኣብ ናይ ክርስቶስ ሥልጣነ-ትንቢትን ክህነትን መንግሥትን ከም ዚሳተፍ ዜመልክት ኮነ። እቲ ዚጥመቕ ሰብ ብሱል ወይ በጽሒ እንተኾይኑ፣ ብድሕሪ-ጥምቀት እትፍጸም ቅብኣት ሓንቲ እታ ሜሮን (Confirmation) ጥራሕ እያ።

**1292** ናይ ምሥራቕ ኣብያተክርስትያን ልምድን ኣገባብን ነዚ ናይ መባእታ
1244 -ክርስትና ሓድነት ዓቢይ ኣቓልቦ ይገብረሉ። እቲ ናይ ላቲናዊት ቤተክርስትያን ልምዲ ከኣ፣ ናይ ቤተክርስትያን ሓድነትን ካቶሊካውነትን ሓዋርያውነትን፡ ምልክትን ከምኡ'ውን ወሃብ-ውሕስነትን፡ ናቱ ኣገልጋልን ምስ ዝኾነ ኣቡን፡ እቲ ሓዲሽ ክርስትያን ንዚህልዎ ሱታፌን ኅብረትን (ሓድነትን) ዚገልጽ፣ ስለ'ዚ ኸኣ ምስታ ናይ ክርስቶስ ቤተክርስትያን ሓዋርያዊ መሠረት ዜራኽብ እዩ።

## II. ናይ ምሥጢረ ሜሮን፡ ትእምርትን ሥርዓትን

**1293** ብዛዕባ ሥርዓተ ሜሮን እንክንትንትትን፣ እቲ ናይ ቅብኣት ትእምርት (ምልክት) እንታይ ከምዜመልክትን፣ ከመይ ዝበለ ምልክት ከምዚሓድግን፣ ማለት መንፈሳዊ ማኅተም ከምዚገድፈልካ ምግንዛብ የድሊ።

ኣብ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ይኹን፣ ካልእ ጥንታዊ ኣምሳላዊ ልማዳት፣
695 ቅብኣት ኣዝዩ ሃብታም ዝኾነ ትርጓሜ እዩ ዘለዎ። ዘይቲ ናይ በርከትን ትፍሥሕትን (ደስታን) ምልክት እዩ።[102] ዜንጽሕ እዩ። (ቅድሚ ምሕጻብን ድሕሪኡን ብዚፍጸም ቅብኣት) ጆማውትን ጭዋዳታትን ይፈትሕ የለስልስ (ናይ ተቓዳደምትን፡ ተቓለስትን ቅብኣት)። ናይ ቊስልን ግዙፍ መጕዳእትን ቃንዛ

---

[100] ሕገቀኖና ምሥ.CCEO, ቀ. 695 § 1፣696 § 1 ረአ
[101] ቅ.ሂፖሊቱስ Trad. Ap. 21 SCh 11፣ 80-95 ረአ
[102] ዘዳ 11:14፣መዝ 23:5፣104:15.

ዜህድእ ስለዝኾነ ናይ ፈውስን ምሕዋይን ምልክት እዩ።[103] ብመልክዕን ብጥዕናን ብጕብዝናን ከምተንጸባርቕ ዚገብረካ'ውን እዩ።

**1294** እቲ ብዘይቲ ዚፍጸም ቕብኣት፣ ኣብ'ቲ ናይ ምሥጢራት ሕይወት 1152
እውን እዚ ኹሉ ዝተሰምየ ትርጓሜታት ዝሓዘ እዩ። እቲ ቅድሚ ጥምቀት ብዘይቲ ንኡስ ክርስትያን ዚፍጸም ቕብኣት ምንጻሕን ምብርታዕን ዜመልክት እዩ። ኣብ ሕሙማን ዚፍጸም ቕብኣት ከኣ ናይ ምሕዋይን ፈውስን ምጽንናዕን ትርጉም ኣለዎ። ብድሕሪ ጥምቀት ብቕዱስ ዘይቲ፣ ኣብ ምሥጢረ ሜሮንን፡ መዓርጋትን ዚፍጸም'ውን ናይ ተቐድሶትን ተወፍዮትን ምልክት እዩ። እቶም ምሥጢረ ሜሮን ዝተቐብሉ ክርስትያን፡ ሕይወቶም "መዓዛ ክርስቶስ"[104] ምእንቲ ክትዝርግሕ፣ ኣብ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ተልእኮትን፣ ኣብ'ቲ ኣብኡ ዘሎ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምልኣትን ፍጻሜን ተሳተፍቲ ይኾኑ።

**1295** በዚ ቕብኣት'ዚ እምበኣር እቲ ተቐባኢ ነቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ 698
ማኅተም፡ "ምልክት" ይቕበል። ማኅተም ናይ ሓደ ሰብ ምልክት፣ ናይ ውልቃዊ ሥልጣኑ መግለጺ፣ ኣብ ልዕሊ ሓደ ነገር ዘሎካ ናይ ዋንነት መረጋገጺ እዩ[105]። ምእንት'ዚ ኸኣ ወተሃደራት ናይ መራሒኦም፣ ባራዩ ከኣ ናይ ጐይታኦም ማኅተም፣ ከም ምልክት ይግበረሎም ነበረ። ማኅተም ንሓደ ሕጋዊ ተግባር ወይ ሰነድ ርግጽነትን ሓቕነትን የልብሶ። ብዚበዝሕ ከኣ፡ ምሥጢራውን ስቱርን ይገብሮ።[106]

**1296** ክርስቶስ ባዕሉ'ውን እንተኾነ ብናይ ኣቦኡ ማኅተም ምልክት 1121
ከምዝተገብረሉ ይነግር።[107] ክርስትያን'ውን ሓደ ማኅተም ተገቢሩሎም እዩ፤ "እቲ ንኣናን ንኣኻትኩምን ኣብ ክርስቶስ ዘጽነዓና ኣምላኽ እዩ፣ ዝቐብኣና'ውን ንሱ እዩ። ናቱ ከምዝኾንና መፈለጥታ ማኅተም ዝገበረልና፣ ኣብ ልብና ዕርቡን መንፈስ ቅዱስ ዝሃበና፡ ንሱ እዩ።"[108] እዚ ማኅተም መንፈስ ቅዱስ እምበኣር፣ ብምሉእ ኵለንትናና ናይ ክርስቶስ ምዃንና፣ ንወትሩ ኣብ ኣገልግሎቱ ከም ዝተመደብና፣ ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ዓቢይን ማኅለቅታውን ናይ መወዳእታ ፍርዲ (-ዓለም) ተስፋ መለኮታዊ ጽላል ከምዝተዋህበና ዜመልክት እዩ።[109]

## ኣሠራርዓ ምሥጢረ ሜሮን

**1297** ናይ'ቲ ቅዱስ ቕብአ-ዘይት ቡራኬ ወይ ተቀድሶት፣ ንሥርዓተ 1183
ምሥጢረ ሜሮን ቀዲምዎ ዚመጽእ ኣገዳሲ ተግባር እዩ፤ ብገሊኡ ኸኣ ናቱ ክፋል 1241

---

[103] ኢሳ 1፡6፣ሉቃ 10፡34 ረአ
[104] 2 ቆሮ 2፡15
[105] ዘፍ 38፡18፣41፡42፣ዘዳ 32፡34፣CT 8፡6
[106] 1 ነገ 21፡8፣ኤር 32፡10፣ኢሳ 29፡11 ረአ
[107] ዮሓ 6፡27 ረአ
[108] 2 ቆሮ 1፡21-22፣ኤፌ 1፡13፣4፡30 ረአ
[109] ራእ 7፡2-3፣9፡4፣ሕዝ 9፡4-6 ረአ

እዩ፡ ኣብ'ቲ ብጸሎተ ኃሙስ ዚሥራዕ፣ ናይ ሜሮን መሥዋዕተ ቅዳሴ ንመላእ ሰበኻኡ ዜገልግል ቅዱስ ቅብእ ዚባርኽ (ዚቕድስ) እቲ ኣቡን (ጳጳስ) እዩ። ኣብ ናይ ምሥራቕ ኣብያተክርስትያናት እሞ ኸኣ፣ እዚ ቀድሶተ-ቅብእ ንፓትርያረክ ብሕቱ ዝተመደበ እዩ፡-

> *ሥርዓተ ኣምልኾ ኣንጾኪያ፣ ነቲ ቅዱስ ቅብእ (ሜሮን) ንምቕዳሱ (ንምብራኹ) ዚጥቀመሉ ናይ ምህለላ መንፈስ ቅዱስ ቃላት እዚ ዚስዕብ እዩ፡ "ነቶም ኲሎም በኣኡ ዚቕብኡን ምልክት ዚግበረሎምን ዘበሉ፣ ቅዱስ ሜሮን፣ ክህነታዊ ሜሮን፣ ንጉሣዊ ሜሮን፣ ቅብኣ-ትፍሥሕት፣ ልብሰ-ብርሃን፣ (ልብሰ ድኅነት) ሞጣሕተ (ካባ) ድኅነት፣ መንፈሳዊ ህያብ፣ ናይ ነፍሳትን ሥጋትን ቅድስና፣ ዘይጠፍእ ታሕጓስ፣ ዘይድምሰስ ማኅተም፣ ዋልታ-እምነትን፣ ብተግባር ተፃባእቲ ዘይድፈር ድርዒ-ርእስን፡ ምእንቲ ኪኸውን፣ (ኦ! ኣቦ.....) ኣብ ልዕሌና ኮነ፣ ኣብ ልዕል'ዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ዘይቲ መንፈስ ቅዱስካ ሰዲድካ ቀድሶ።"*

**1298** ከምቲ ኣብ ሮማዊ ሥርዓት ዚግበር፣ ምሥጢረ ሜሮን ካብ ምሥጢረ ጥምቀት ተፈልዩ ኣብ ዚሥረዓሉ፣ እቲ ኣፈጻጽማ ሥርዓት-ሜሮን፣ እቶም ተቐባእቲ ነቲ ኣብ ጥምቀት ዝገለጽዎ እምነትን፡ ዝኣተውዎ ቓልን ብምሕዳስ ይጅምር። እዚ ኸኣ ምሥጢረ ሜሮን ንጥምቀት ስዒቡ ከምዚመጽእ ግልጺ መረድኢ እዩ።[110] ዓበይትን ብጹሓትን ሰባት እንኪጥመቁ፣ ብኡብኡ ምሥጢረ ሜሮን ይቕበሉ፣ ኣብ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን ከኣ ይሳተፉ።[111]

**1299** ኣብ ሮማዊ ሥርዓት፡ እቲ ኣቡን (ጳጳስ) ኣብ ልዕል'ቲ መላእ ጕጅለ ተቐባእቲ (ሜሮን) ኢዱ ዘርጊሑ ኣንብሮት-ኢድ ይፍጽም። ካብ ዘመነ-ሓዋርያት ኣትሒዙ ኸኣ፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ንህያብ መንፈስ ቅዱስ ዜመልክት ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ።እቲ ጳጳስ በዚ ዚስዕብ ቃላት ገቢሩ፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምውራድ ይምህለል፡-

> *ኃያልን ከኣልኲሉን ኣምላኽ ዝኾንካ፡ ኣቦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣*
> 1831 *ብማይን ብመንፈስ ቅዱስን ገቢርካ፣*
> *ንውሉድካን ኣዋልድካን ካብ ኃጢኣት ናጻ ኣውፂእካ፣*
> *ሓዲስ ሕይወት'ውን ሃብካዮም።*
> *ሕጂ ከኣ ረዳኢኦምን መራሒኦምን ምእንቲ ኪኸውን፣*
> *ኣብ ልዕሊኦም መንፈስ ቅዱስካ ኣውርድ።*
> *መንፈስ ጥበብን፣ መንፈስ ኣእምሮን፣*
> *መንፈስ ምኽርን፣ መንፈስ ትብዓትን፣*
> *መንፈስ ፍልጠትን፣ መንፈስ ፍርሃት-ኣምላኽን፣ ሃቦም።*

---

[110] ቅዱስ ጉባኤ SC 71 ረአ
[111] ሕገቀኖና፣ቀ. 866 ረአ

ኣብ ቅድሚ ህላዌኻ፡ መንፈስ ምግራምን ኣኽብሮትን ኣሕድረሎም።
ብኽርስቶስ ጐይታና ንልምነካ ኣሎና።[112]

**1300** ድሕር'ዚ እቲ ቐንዲ ሥርዓተ-ምሥጢር ይስዕብ። ኣብ ሥርዓተ-ላቲን "ምሥጢረ ሜሮን (ቅብኣት) ዚወሃብ፣ ኣብ ግንባር ብዘይቲ-ሜሮን ብምቕባእ ኣብ ርእሲ ተቐባኢ ኢድ ብምንባር፣ ብህያብ መንፈስ ቅዱስ ዝተኀተምካ ኩን[113]" ብዚብላ ቃላት ይፍጸም። ኣብ ናይ ሥርዓተ-ቢዛንቲን ምሥራቓውያን ኣብያተ ክርስትያን ድማ፣ እቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምህለላ (Epiclesis) ድሕሪ ተደጊሙ፣ እቲ ቐንዲ ቀንዲ ወገን ኣካላት-ሰብ ብዘይቲ-ሜሮን ይቕባእ፡- እዚ ከኣ ግንባር፡ ዓይኒ፡ ኣፍንጫ፡ እዝኒ ከናፍር፡ ኣፍልቢ፡ እንግድዓ፡ ኣእዳው፡ ኣእጋር እዩ። ነፍስወከፍ ወገን እንኪቕባእ ከኣ "ናይ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ማኀተም" ብዚብላ ቃላት ዝተሰነየ እዩ። **Rituale per le Chiese Orientali di rito bizantino in liugua greca, pars prima (Lib, Ed.vat.1954) 36.** 699

**1301** ነቲ ሥርዓተ-ምሥጢር ከም መዛዘሚ ኮይኑ ዜገልግል ኣምኃ-ሰላም (ምልክት-ሰላምታ) ምስ ኣቡንን (ጳጳስ) ኵሎም ምእመናንን ንዝተተኽለ፡ ናይ ቤተክርስትያን ሱታፌ-ኀብረት ዚገልጽን ዜረጋግጽን እዩ።[114]

## III. ፍረታት ምሥጢረ ሜሮን

**1302** ናይ ምሥጢረ ሜሮን (ቅብኣተ መንፈስ ቅዱስ) ፍረ፣ ልክዕ ከምቲ ብበዓለ ሓምሳ (ጰንጠቆስጤ) ንሓዋርያት ዝተዋህበ፣ ፍሉይ ዝኾነ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምፍሳስ (ምውራድ) ምዃኑ በቲ ሥርዓቱ ዚርዳእ እዩ። 731

**1303** ምእንት'ዚ ምሥጢረ ሜሮን፡ ነቲ ብጥምቀት ዝተረኽበ ጸጋ ኣጸቢቑ ከምዚብርትዕን ዕምቈት ከምዚረክብን ይገብር፣ 1262-1274 2044

- ኣብቲ መለኮታዊ ውሉድነት ብዕምቈት ከምንሥረት ገቢሩ፡ "ኣቦ፣ ኣቦዋ! ንምባል የኽእለና፤[115]
- ምስ ክርስቶስ ብዝተረረ ሓድነት የወሃህደና፤
- ንህያባት መንፈስ ቅዱስ ኣባና የኻዕብቶ፣
- ምስ ቤተክርስትያን ንዘሎና ምትእስሳር ብዝበለጸ ፍጹም ይገብሮ፣[116]
- ከም መጠን ሓቀይናታት መሰኻኽር ክርስቶስ፣ ንስሙ ብትብዓት ምእንቲ

[112] ሥርዓተ ሜሮን OC 25. መጽሓፈ-ጳጳስ ዘሮም
[113] ጳውሎስ 6ይ ሓዋርያዊ ሥርዓታት Divinae consortium naturae, 663.
[114] ቅ.ሂፖሊቱስ Trad. Ap. 21 SCh 11, 80-95 ረአ
[115] ሮሜ 8፡15
[116] ብር.ኣሕ. LG 11 ረአ

ክንእመንን፣ ብመስቀል'ውን ፈጺምና ክይነሓፍር፣ ንእምነትና ብቓልን ብግብርን ምእንቲ ከነስፍሖን፡ ክንከላኸለሉን፡ ፍሉይ ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ይህበና።[117]

> ምእንት'ዚ፣ እዚ መንፈሳዊ ማኅተም፣ መንፈስ ጥበብን ኣእምሮን፣ መንፈስ ምኽርን ትብዓትን፣ መንፈስ ፍልጠትን ኣኽብሮትን፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብቅዱስ ፍርሃት ናይ ምቛም መንፈስን ከም ዝተቐበልካ ዘክር። ነቲ ዝተቐበልካዮ ብጥንቃቐ ሓልዎ። እግዚኣብሔር-ኣቦ በቲ ናቱ ፍሉይ ምልክት ዓቲቡካ እዩ፤ ክርስቶስ ጐይታ ድማ ኣጽኒዑካ (ቀቢኡካ)፣ ናይ ፍቕሩ ዕርቡን ንዝኾነ መንፈስ ቅዱስ'ውን ኣብ ልብኻ ኣንቢሩልካ እዩ።[118]

**1304** ልክዕ ከምቲ በኣኡ ዚዛዘም ምሥጢረ ጥምቀት፣ ምሥጢረ ሜሮን
1121 ድማ ሓደ ግዜ ጥራሕ እዩ ዚወሃብ፤ ከመይ'ሲ ንሱ'ውን እንተኾነ ኣብ'ታ ነፍሲ ዘይድምሰስ መንፈሳዊ ማዕተብ (ምልክት) እዩ ዚኃትም። እዚ "ማኅተም'ዚ" ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ምልክት ኮይኑ፣ ነቲ ክርስትያን ካብ ላዕሊ ኃይሊ ብምልባስ፡ ምስክሩ ምእንቲ ኪኸውን ብማኅተም-መንፈሱ ዓቲብዎ እዩ[119]።

**1305** እዚ "ማዕተብ'ዚ" ነቲ ብጥምቀት ዝተቐበልዎ ናይ ምእመናን ሓባራዊ
1268 ክህነት ፍጽምና ይህቦ። "እቲ ሜሮን ዝተቐብኤ ሰብ ድማ፡ ኣብ ክርስቶስ ንዘለዎ እምነቱ፡ ብግልጺ ዳርጋ'ውን ብሥልጣን፡ ንኺገልጾ ኃይሊ ይረክብ"[120]።

## IV. ነዚ ምሥጢር'ዚ ኪቐበሎ ዚኽእል መን'ዩ?

**1306** ዝኾነ ይኹን ዝተጠምቀ ግና ዛጊት ሜሮን ዘይተቐብኤ፣ ንምሥጢረ
1212 ሜሮን ኪቐበሎ ይኽእልን ይግበኦን[121]። ጥምቀትን ቅብኣተ-መንፈስ ቅዱስ ሜሮንን፡ ቅዱስ ቍርባንን ሓድነት ስለዘለዎም፤ "ምእመናን ነዚ ምሥጢር'ዚ ኣብ'ቲ ግቡእን ብቑዕን ግዜኡ ኪቐበልዎ ይግደዱ እዮም"[122]፤ ምኽንያቱ ድማ፣ ብዘይካ ቅብኣተ-ሜሮንን ቅዱስ ቍርባንን፡ ምሥጢረ ጥምቀት ብርግጽ ብቕዓትን ፍርያትን'ኳ እንተለዎ፡ እቲ መባእታ-ክርስትና ግን ዘይምሉእ ኮይኑ ይርከብ።

**1307** ንኣማኢት ዓመታት ዚኣክል እቲ ላቲናዊ ልማድ፣ ንምቕባል ቅብኣተ-ሜሮን ብዚርኢ "ዕድመ ዓቅመ-ኣእምሮ" ዚብል መምዘኒ ኪገብረሉ ጸኒሑ። እንተኾነ ኣብ ግዜ ድንገተ-ሞት ወላ'ኳ ኣብ'ዚ ናይ ዓቕመ-ኣእምሮ ዕድመ እንተ ዘይበጽሑ፡ ሕፃናት ሜሮን ኪቕብኡ ይግባእ።[123]

---

[117] ጉባኤ ፍሎሬንስ (1439)፡ DS 1319፣ብር.ኣሕ. LG 11፣12 ረአ
[118] ቅ.ኣምብሮዝዩስ De myst. 7, 42፡ PL 16, 402-403
[119] ጉባኤ ትረንቶስ (1547)፡ DS 1609፣ሉቃ 24፡48-49 ረአ
[120] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh III, 72, 5, ad 2
[121] ሕገቀኖና፣ቀ. 889 § 1 ረአ
[122] ሕገቀኖና፣ቀ. 890 ረአ
[123] ሕገቀኖና፣ ቀ. 891፣883፣ 3 ረአ

**1308** *ምሥጢረ ሜሮን፡ ሓድሓደ ግዜ "ምሥጢረ ክርስትያናዊ ብስለት"* 1250
*ብዚብል ዚጽዋዕ'ኳ እንተኾነ፣ ነቲ ናይ ብሱላት (ብጹሓት) እምነት፣ ምስ'ቲ ናይ ባሕርያዊ ዕብየት ብጹሕ ዕድመ ከነደባልቖ የብልናን፤ ናይ ጥምቀት ጸጋ'ውን እንተኾነ፡ ብናጻ ዝተዋህበ ጸጋ፣ ብሞያ ወይ ዓስቢ ዘይኮነ ኅሬት ብምዃኑ፡ ብቕዓትን ፍርየትን ንኺህልዎ፣ "ከተረጋግጾ ወይ ከተርግኦ" ከምዘየድሊ ኪርሳዕ ኣይግበኣን። ብዛዕባ'ዚ ቅዱስ ቶማስ ዜዘኻኽረና ኣለዎ፡-*

> *ግዙፍ ኣካላዊ ዕድመ፡ ንዕድመ-ነፍሲ ኣይድርቶን እዩ። ብግዜ ሕፃንነት'ውን እንተኾነ ሓደ ሰብ መንፈሳዊ ብስለት ኪጭብጥ ይኽእል እዩ። መጽሓፈ ጥበብ ከምዚብሎ "ዕድመ ሽምግልና ብንውሒ-ዘመኑ ኣይከብርን እዩ፤ ወይ ከኣ ብቁጽሪ ዓመታት ኣይምዘንን እዩ።" ብሳላ'ቲ ዝተቐበልዎ ኃይሊ-መንፈስ ቅዱስ፡ ብዙኃት ሕፃናት፡ ደሞም ክሳብ ምፍሳስ በጺሖም ምእንቲ ኽርስቶስ ብትብዓት ተዋጊኦም እዮም።*[124]

**1309** *ንምሥጢረ ሜሮን ዚግበር ምስንዳው፣ ዕላማኡ ነቲ ክርስትያን ምስ ክርስቶስ ዝጠበቐን ዝዓመቘን ሓድነት ናብ ምትካልን፣ ናይ ሕይወት ክርስትና ሓዋርያዊ መዝነቱ ንኺፍጽም ምስ መንፈስ ቅዱስን፣ ኩሉ ተግባራቱን፣ ህያባቱን ድርኺታቱን ከኣ ዝበለጸን፣ ሕያው ዝኾነ ርክብ ናብ ምምሥራትን ዜብጽሖ ኪኸውን ኣለዎ። በዚ ዕላማ'ዚ እምበኣር፣ እቲ ንመደብ ምሥጢረ ሜሮን ዚግበር ክርስትያናዊ ኵስኰሳ-መዕበያ (ካተኪዚስ) ናይ ቤተክርስትያን-ክርስቶስ ኣባላትን፣ ናይ'ታ ኵላዊት ቤተክርስትያን ከምኡ'ውን ናይ'ታ ቍምስና ወገናትን፣ ምዃንና ዜመልክት ስምዒትን ርድኢትን ከለዓዕል ይግባእ። እዚ ዳሕራይ ኣብ'ቲ ናይ ተቐባእቲ ምስንዳው ፍሉይ ዝኾነ መዝነት ዜልብስ እዩ።*[125]

**1310** *ምሥጢረ ሜሮን (ቅብኣተ መንፈስ ቅዱስ) ንምቕባል፡ ሓደ ሰብ ኣብ* 2670
*ጸጋ ኪህሉ ኣለዎ። ሓደ ሰብ ንህያብ መንፈስ ቅዱስ ዚበቅዕ ኮይኑ ምእንቲ ኪነጽሕ ምሥጢረ ንስሓ ኪፍጽም ግቡኡ እዩ። ንናይ መንፈስ ቅዱስ ብርታዐን ጸጋታቱን፡ ብትሕትና ልብን፡ ብግብራዊ ስንድውነትን ንምቕባሉ፡ ኣብ ዓሚቝን ጽዑቕን ጸሎት ምጽማድ የድሊ።*[126]

**1311** ከም'ቲ *ንምሥጢረ ጥምቀት ዚግበር ድማ፣ እቶም ናብ ምሥጢረ* 1255
*ሜሮን (ቅብኣተ መንፈስ ቅዱስ) ዚቐርቡ ሰባት፣ ናይ ሓደ "ዋሕስ" (ኣቦ-ክርስትና ወይ ኣደ-ክርስትና) መንፈሳዊ ረድኤት የድልዮም እዩ። ናይ ክልቲኡ ምሥጢራት ሓድነት ኣጸቢቑ ምእንቲ ኪግለጽን ኪረጋገጽን ከኣ፣ በቶም ኣብ ግዜ ጥምቀት ኣቦ/ኣደ ክርስትና ዝኾኑ ኪፍጸም ዝበለጸ እዩ።*[127]

---

124 *ቅ.ቶማስ ኣኵናስ* STh III, 72, 8, ad 2፣ጥበ 4፡8 *ረአ*
125 *ሥርዓተ ሜሮን* OC Introduction 3 *ረአ*
126 *ግ.ሓ.* 1፡14 *ረአ*
127 *ሥርዓተ ሜሮን* OC Introduction 5፣6፣ሕገቀኖና፣ቀ. 893 §§ 1- 2 *ረአ*

## V. ሠራዒ ምሥጢረ ሜሮን (ወሃቢ)

**1312** ብጥንተ-መሠረቱ፡ ናይ ምሥጢረ ሜሮን ሠራዒኡ ኣቡን (ጳጳስ)
1233 እዩ።[128] ኣብ ምሥራቕ፣ እቲ ዜጠምቕ ካህን፡ ብኡብኡ ምስ'ቲ ጥምቀት ነቲ
ምሥጢረ ሜሮን ኪፍጽሞ ንቡር እዩ። እንተዀነ ግና፣ እቲ ካህን ዚቐብእ፡
ብኣቡን ወይ ፓትርያርክ ብዝተባረኸ (ዝተቐደሰ) ቅዱስ ቅብኣ-ዘይት ስለዝዀነ፣
ብናይ ምሥጢረ ሜሮን ማእሰር ንዝደልደለ ናይ ቤተክርስትያን ሓዋርያዊ
ሓድነት ኪገልጽን ከረጋግጽን ይርከብ። ኣብ ላቲናዊት ቤተክርስትያን እውን
ዓበይቲ (ብጹሓት) ኮይኖም ንዚጥመቑን፣ ወይ ከኣ ኣብ ካልእ ብቑዕ ሥርዓተ
ምሥጢረ ሜሮን ዘይብሉ ክርስትና ተጠሚቖ ጸኒሑ፣ ሕጂ ናብ ናይ ቤተ
ክርስትያን ምሉእ ሱታፌን ኀብረትን ንዚኣቱ፣ ዚግበር ሥርዓት ልክዕ ከም'ቲ
ዝተጠቕሰ ናይ ምሥራቕ እዩ።[129]

**1313** ኣብ ሥርዓት ላቲን፡ ናይ ምሥጢረ ሜሮን ንቡር ሠራዒኡ ኣቡን
1290 (ጳጳስ) እዩ።[130] ኣድላዪ ምኽንያት ተረኺቡ፡ ኣቡን ነቲ ምሥጢረ ሜሮን ናይ
1285 ምሥራዕ ሥልጣን (ክእለት) ንኻህናት ኪህብ ዚኽእል'ኳ እንተዀነ፣ ምሥጢረ
ሜሮን ካብ ምሥጢረ ጥምቀት ንግዜኡ ዝተፈልየሉ ቀንዲ ምኽንያት እዚ
ምዃኑ ብምግንዛብን፣ ንናይ'ቲ ምሥጢር እንታይነት (ትርጓሜ) ኪብልን፣ ኣቡን
(ጳጳስ) ባዕሉ ኪሠርዖ (ኪዕድሎ) ዝበለጸ እዩ።[131] ኣቡናት ናይ ሓዋርያት ተካእቲ
(ተኸተልቲ) እዮም። ናይ ቅዱስ መዓርጋት ምልኣት-ምሥጢር ዝተቐበሉ
ንሳቶም እዮም። እዚ ምሥጢር'ዚ በኣኣቶም ምፍጻሙ ከኣ ውጽኢቱ ወይ ፍሬኡ
ንተቐበልቱ ብዝቐረበ መልክዑ፡ ምስ ቤተክርስትያን፣ምስ'ቲ ሓዋርያዊ መሠረታን፡
ንኽርስቶስ ናይ ምምስካር ምስ ዘለዋ ተልእኮታን፡ ብዝበለጸ ምውህሃዶም ማለት
እዩ።

**1314** ሓደ ክርስትያን ኣብ ድንገተ-ሞት እንኪርከብ ዝዀነ ኻህን ሥርዓተ
1307 ምሥጢረ ሜሮን ኪፍጽመሉ ይኽእል።[132] ብርግጽ'ውን ከም ናይ ቤተክርስትያን
ባህጊ እንተደኣኾይኑ፣ ሓደ'ኳ ካብ ደቃ፣ እቲ ዕሸል'ውን ይኹን፣ ብሳላ ናይ
ክርስቶስ ምልኣተ-በረኸት ብመንፈስ ቅዱስ ፍጹም ከይኮነ፣ ካብ'ዚ ዓለም'ዚ
ኪሓልፍ ድልየታ ኣይኮነን።

[128] ብር.ኣሕ. LG 26. ረኣ
[129] ሕገቀኖና፣ቀ. 883 § 2 ረኣ
[130] ሕገቀኖና፣ቀ. 882 ረኣ
[131] ሕገቀኖና፣ቀ. 884 § 2 ረኣ.
[132] ሕገቀኖና፣ቀ. 883 § 3 ረኣ

## ብሓጺር

1315 “እቶም ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበሩ ሓዋርያት ድማ፡ሰማርያ ንቓል-እግዚኣብሔር ከምዝተቐበለት ምስ ሰምዑ፡ ንጴጥሮስን ዮሓንስን ለኣኹሎም። ንሳቶም ከአ ናብኣ ወሪዶም፣ ብስም ጐይታ ኢየሱስ ጥራሕ ተጠሚቖም፣ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ሓደ'ኳ ካብኣቶም ስለዘይወረደ፣ነኣኣ ኪቕበሉ ጸለዩሎም።ሽዑ ኣእዳዎም ኣንበሩሎም፣መንፈስ ቅዱስ ከአ ተቐበሉ። (ግ.ሓ.8፡14-17)

1316 ምሥጢረ ሜሮን(ቅብኣተ መንፈስ ቅዱስ) ንናይ ጥምቀት ጸጋ ፍጹም ምሉእ ይገብሮ።ኣብ'ቲ መለኮታዊ ሃብተ-ወልድና (ውሉድነት) ኣጸቢቑ ዝዓመቑ ሠራውር ምእንቲ ኪህልወና፣ ብዝበለጸ ምስ ክርስቶስ ምእንቲ ከወሃህደና፣ ምስ ቤተክርስትያን ንዘሎና ማእሰር ምእንቲ ከደልድለልና፣ ኣብ'ቲ ተልእኮታ ሕልፊ ከሕብረና፣ ብተግባር ብዝተሰነየ ቃላት ንእምነት ክርስትና ንምምስካር እንበቅዕ ምእንቲ ኺገብረና፣ መንፈስ ቅዱስ ዚህበና ምሥጢር እዩ።

1317 ልክዕ ከም'ቲ ምሥጢረ ጥምቀት፣ ምሥጢረ ሜሮን ድማ፣ ኣብ'ታ ክርስትያናዊት ነፍሲ መንፈሳዊ ምልክትን፡ ዘይድምሰስ ማኅተምን የሓድግ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ፡ ሓደ ሰብ ነዚ ምሥጢር'ዚ ኣብ ሕይወቱ ሓደ ሳዕ ጥራሕ ኪቕበሎ ይኽእል።

1318 ኣብ ወገን ምሥራቕ እዚ ምሥጢር'ዚ ብድሕሪ ጥምቀት ብኡብኡ ኣልጊብካ እንኪፍጸም፣ ናይ ቅዱስ ቍርባን ሱታፌ ድማ ይስዕቦ። እዚ ትውፊት'ዚ ንናይ'ተን ሠለስተ ምሥጢራት መባእታ-ክርስትና ሓድነት የንጸባርቕ። ኣብ ላቲናዊት ቤተክርስትያን፡ እዚ ምሥጢር'ዚ ተቐባኢ ኣብ ዓቕመ-ኣእምሮ ምስ በጽሐ ይፍጸመሉ፣ ሥርዓቱን ኣፈጻጽማኡን እውን ከም ንቡር/ሥሩዕ ንኣቡን ጥራሕ ዝተመደበ እዩ። በዚ ኸኣ እዚ ምሥጢር'ዚ ንናይ ቤተክርስትያን ማእሰር-ሓድነት ዜደልድል ምዃኑ የመልክት።

1319 ናብ ዕድመ ዓቕመ-ኣእምሮ ዝበጽሐ ተቐባኢ፣ እምነቱ ብዚግባእ ኪገልጽ ኪእመን፣ ኣብ ናይ ጸጋ ሃለዋት ኪርከብ፣ ነዚ ምሥጢር'ዚ ይቕበል ከምዘሎ ፍልጠትን ኀሊናን ኪህልዎ፣ ኣብ ማኅበር ቤተክርስትያን ይኹን፣ ኣብ ምድራዊ ጕዳይ ናይ ክርስቶስ ወደመዝሙርን (ተኸታልን) ምስክርን ንዚገብሮ መዝነት ዚሸከም ኪኸውን ይግበኦ።

**1320** ናይ ምሥጢረ ሜሮን ቀንዲ ሥርዓቱ፣ ኣብ ግንባር'ቲ ዝተጠምቀ ክርስትያን ብቅዱስ ቅብእ ዚግበር ቅብኣት እንኪኸውን፣ (ኣብ ምሥራቕ፡ ካልእ ክፍለ ኣካላት'ውን ይቕባእ) ምስኡ'ውን ናይ'ቲ ሠራዒ (ቀባኢ) ሥርዓት ኣንብሮተ-እድን "ብህያብ መንፈስ ቅዱስ ኅቱም ኩን" ዚብል ቃላት ኣብ'ቲ ሮማዊ ሥርዓት፣ "ናይ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ማኅተም" ዚብል ድማ ኣብ'ቲ ሥርዓት ቢዛንቲን የሰንዮ።

**1321** ምሥጢረ ሜሮን ካብ ምሥጢረ ጥምቀት ተፈልዩ ኣብ ዚሥረዓሉ፣ ካብ'ቲ ብዙሕ ምስ ጥምቀት ዘለዎ ምትእስሳር ዚግለጸሉ ኣገባባት ሓደ፣ እቲ ምሕዳስ መብፅዓ ጥምቀት እዩ። ሥርዓት ምሥጢረ ሜሮን ኣብ ግዜ መሥዋዕተ ቅዳሴ እንኪፍጸም፣ ኣብ መንጎ ምሥጢራት መባእታ-ክርስትና ንዘሎ ሓድነት ንምግንዛብ ኣጸቢቑ ዚሕግዝ እዩ።

---

## ኣንቀጽ 3
## ምሥጢረ (ቅዱስ) ቍርባን

**1322** ቅዱስ ቍርባን ንመባእታ-ክርስትና ምሉእ ገቢሩ ዚዛዝሞ እዩ። እቶም
1212 ብጥምቀት ናብ ክብሪ ንጉሣዊ ክህነት ዝደየቡ፣ ብቕብኣተ ሜሮን ብዝበለጸ ብመልክዕ-ክርስቶስ ዝተቐርጹ፡ ምስ'ቲ መላእ ማኅበረ ምእመናን ሓቢሮም ብቅዱስ ቍርባን ኣብ'ቲ ናይ ጐይታ መሥዋዕቱ ይሳተፉ።

**1323** "በታ ዝተታሕዘላ ለይቲ፣ ኣብ'ቲ ናይ መወዳእታ ድራር፣ ጐይታና
1402 ነቲ ናይ ሥጋኡን ደሙን መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ሠርዐ። ነዚ ዝገበረ ኸኣ፣ እቲ ናይ መስቀል መሥዋዕቱ፡ ኣብ ኵሉ ኣዝማናት፣ ክሳብ ዳግማይ ምጽኣቱ ቀጻልን ነባርን ምእንቲ ኪገብሮ፣ በዚ ኸኣ ነታ ፍቕርቲ መርዓቱ ዝኾነት ቤተክርስትያን ነዚ ናይ ሞቱን ትንሣኤኡን ዝኽሪ ሕድሪ ኪገድፈላ ደለየ። እዚ ኸኣ፡ እቲ "ክርስቶስ እንቕበለሉ፣ ነፍሲ ብጸጋ እትመልኣሉ፣ ናይ መጻኢ ክብሪ ዕርቡን እንረኽበሉ"[133]፣ናይ ፍቕሪ ምሥጢር፣ናይ ሓድነት ትእምርት (ምልክት)፡ ናይ ፍቕሪ ማእሰር ዝኾነ መኣዲ ፋሲካ እዩ።

---

[133] ቅዱስ ጉባኤ SC 47

# I. ቅዱስ ቍርባን፡- ናይ ሕይወት ቤተክርስትያን መሠረትን ተድባብን

**1324** ቅዱስ ቍርባን "ናይ ክርስትያናዊት ሕይወት ዓይኒማይን፣ ዝለዓለ 864
ተድባብን እዩ"።[134] እቲ ካልእ ምሥጢራት፣ብርግጽ'ውን ኵሉ ናይ ቤተክርስትያን ተግባራትን ሓዋርያዊ ኣገልግሎትን በዚ ቅዱስ ቍርባን ዝተጠምረ፣ ወይ ከኣ ናብኡ ገጹ ዘተኰረ እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ፡ እቲ ናይ ቤተክርስትያን መላእ መንፈሳዊ መዝገብ-ሃብቲ፣ ማለት ኢየሱስ ክርስቶስ ፋሲካና፡ ኣብኡ ኣብ'ቲ ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን እዩ ዘሎ።"[135]

**1325** "ኣብ መለኮታዊ ሕይወት ንዚርከብ ሱታፌ-ኅብረትን ንቤተክርስትያን 775
ህላዌ ዚህባ ናይ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ሓድነትን፣ ብቑዕ ምልክቱን፡ ልዑል መሠረቱን ቅዱስ ቍርባን እዩ። እግዚኣብሔር ንዓለም ብኽርስቶስ ናይ ዚቕድሰሉን፣ ሰባት ንኽርስቶስ በኣኡ ኣቢሎም ከኣ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ብመንፈስ ቅዱስ፡ ኣምልኾትን ስግደትን ዜቕርቡሉ፣ ናይ'ዚ ክልቲኡ ተግባራት ዝለዓለ ጠርዙ ዚረኣየሉ ኣብ ቅዱስ ቍርባን እዩ።[136]

**1326** ኣብ መወዳእታ ድማ፣ በዚ መሥዋዕት ቅዳሴ ገቢርና፣ ኣብ'ቲ 1090
ሰማያዊ ግብረ-ኣምልኾ ነሓብርን ንሠምርን፣ በዚ ኸኣ፡ እግዚኣብሔር ኣብ ኵሉን ኵሉን ንዝኾነሉ ዘለዓለማዊ ሕይወት ከነቐድሞ ንርከብ።[137]

**1327** ብሓጺሩ፣ ቅዱስ ቍርባን ናይ እምነትና ጥምረትን፡ ቀንዲ ላህመትን 1124
(summary) እዩ፣ "መደብ ኣተሓሳስባና ብቕዱስ ቍርባን ዝተቓነየ እንኪኸውን፡ ቅዱስ ቍርባን'ውን ብወገኑ፡ ነቲ ኣተሓሳስባና የደልድሎ እዩ።"[138]

# II. እዚ ምሥጢር'ዚ እንታይ ተባሂሉ ይጽዋዕ?

**1328** ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ኪንገር ዘይከኣል ሃብቱን ዕቤቱን፡ ኣብ'ቲ እንህቦ በብዓይነቱን ብዙሕን ኣስማቱ ይግለጽ። ነፍስወከፍ ስም ከኣ ንገሊኡ ፍሉይ መዳያቱ የዘኻኽር። እዚ ዚስዕብ ኣስማት ይወሃቦ፡-

ኣኰቴተ ቍርባን፣ ዝተባህለሉ ቀንዲ ምኽንያት ንእግዚኣብሔር 2637:1082
ዚዓርግ ግብረ-ምስጋና ብምዃኑ እዩ። እቲ "ኤውኻሪስተይን" ከምኡ'ውን[139] 1359

---

[134] ብር.ኣሕ. LG 11.
[135] መዓርግ ክህነት PO 5.
[136] Congregation of Rites, instruction, Eucharisticum mysterium, 6.
[137] 1 ቆሮ 15፡28 ረኣ
[138] ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres. 4, 18, 5፡ PG 7/1, 1028
[139] ሉቃ 22፡19፣1 ቆሮ 11፡24 ረኣ

“ኤውሎገይን”[140] ዚብል ቃላት-ግሪኽ ነቲ ብእዋን-መኣዲ፤ እሥራኤላውያን ተግባራት-ኣምላኽ ዚእውጁሉ፣ ናይ ኣምላኽ ግብረ ፍጥረትን ድኅነትን፣ ግብረ ቀድሶትን፡ ዚነግሩሉ መደብ “ቡራኬ” (ዕብራይስጥ-በራካህ) ዜዘኻኽር እዩ።

**1329** *መኣዲ-ጐይታ ይበሃል፣* ምኽንያቱ ከኣ፡ ጐይታና ኣብ ድሮ ሥቓያቱ
1382 (ሕማማቱ) ምስ'ቲ ንደቀመዛሙርቱ ዝገበሮ ድራር ዚራኸብ ብምዃኑን፣ ከምኡ
እውን ነቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ዚፍጸም ናይ በጊዕ በዓል-መርዓ ኣቐዲሙ ዜርኢ ብምዃኑ እዩ።[141]

*ምቕራስ-እንጌራ ዚበሃል* ከኣ፡ ነቲ ናይ ሕዝቢ-ኣይሁድ ልምድን
790 መኣድን ክፋል ዝኾነ ሥርዓት፣ ኢየሱስ መጠን ኣቦ-መኣዲ ኣመስጊኑ፡ ነቲ
እንጌራ ዝዓደለሉ ሥርዓት ስለዝኾነ እዩ።[142] እዚ ብፍላይ ነቲ ኣብ መወዳእታ ድራር ንዝኾነ ዚርኢ እዩ።[143] በዚ ተግባር'ዚ እዩ ድሕሪ ትንሣኤኡ ደቀመዛሙርቱ ከለልዩዎ ዘለዎም[144]፣ ዳሕራይ እዋናት እቶም ክርስትያን ንናይ ቅዱስ ቍርባን ኣኼባታቶም ቀንዲ መግለጺ ዝገበርዎ ቃል'ውን እዚ እዩ፤[145] ነዚ ብምግባር ድማ፡ ኵሎም እቶም ካብታ ዝተቘርሰት ሓንቲ እንጌራ ማለት ንክርስቶስ ዚምገቡ ምስኡ ኣብ ሱታፌ ከምዚኣትዉ፣ ምስኡ'ውን ሓደ ኣካል ከምዘቕውሙ የመልክት።[146]

*ናይ ቅዱስ ቍርባን ጉባኤ* (Synaxis=ኣኼባ) ከኣ ይበሃል፤ ምኽንያቱ
1348 ቅዱስ ቍርባን፡ ኣብ'ቲ ናይ ቤተክርስትያን ርኡይ መግለጺ ዝኾነ ኣብ ጉባኤ
ምእመናን እዩ ዚሥራዕ።[147]

1341 **1330** ናይ ጐይታ *ሥቓያቱን* (ሕማማቱ) ትንሣኤኡን ዝኽሪ እዩ።

*ቅዱስ መሥዋዕቲ ዚበሃለሉ* ምኽንያቱ ከኣ ነቲ ኡንኮ ናይ ክርስቶስ
614 መድኅን መሥዋዕቲ ህልው ስለዚገብሮን፤ ንናይ ቤተክርስትያን ወፈያ ኣብኡ
2643 ስለዚጽንብሮን እዩ። ናይ ቅዳሴ ዝተቐደሰ *መሥዋዕቲ፣* “*መሥዋዕተ ውዳሴ*
(ምስጋና)፣ *መንፈሳዊ መሥዋዕቲ፣* ንጹሕን ቅዱስን *መሥዋዕቲ* ዚብል ኣበሃህላ እውን ይዝውተር እዩ።[148] ምኽንያቱ ከኣ ንኹሉ'ቲ ናይ ብሉይ ኪዳን መሥዋዕትታት ምሉእ ዚገብሮን ዚበልጾን እዩ።

*ቅዱስን መለኮታውን ግብረ-ኣምልኾ* ይበሃል፡ እዚ ኸኣ፡ እቲ ናይ
1169 ቤተክርስትያን መላእ ግብረ-ኣምልኾ ዋና ዓንድማእከሉን፣ ዝደመቐን ዝዓመቐን

[140] ማቴ 26፡26፣ማር 14፡22 ረአ
[141] 1 ቆሮ 11፡20፣ራእ 19፡9 ረአ
[142] ማቴ 14፡19፣15፡36፣ማር 8፡6፣ 19 ረአ
[143] ማቴ 26፡26፣1 ቆሮ 11፡24 ረአ
[144] ሉቃ 24፡13-35 ረአ
[145] ግ.ሓ 2፡42፣ 46፣20፡7፣ 11 ረአ
[146] 1 ቆሮ 10፡16-17 ረአ
[147] 1 ቆሮ 11፡17-34 ረአ
[148] ዕብ 13፡15፣1 ጴጥ 2፡5፣መዝ 116፡13፣ 17፣ሚል 1፡11 ረአ

መግለጺኡን ኣብ ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ሥርዓት እዩ። ብተመሳሳሊ ሓሳብን ትርጕምን ድማ በዚ ኣሠራርዓኡ ቅዱሳት ምሥጢራት ተባሂሉ ይስመ። ቅዱስ ቅዱሳን ምሥጢር እንብሎ ከኣ ናይ ምሥጢራት ምሥጢር ብምዃኑ እዩ። እቲ ኣብ መንበረ-ታቦት ብመልክዕ ኅብስቲ ዚዕቄር ቅዱስ ቍርባን'ውን በዚ ስም'ዚ ይጽዋዕ።

**1331** ምቕባል (ሱታፌ) ቅዱስ ቍርባን (ምቕራብ)፣ ዚበሃለሉ ምኽንያት'ውን፡ 950
በዚ ምሥጢር'ዚ ገቢርና፣ ኣብኡ ሓደ ኣካል ንምቛም ኣብ ሥጋኡን ደሙን 948
ምስ ዜሳትፈና ክርስቶስ ስለዘወሃህድ እዩ።[149] "ቅዱሳት ነገራት" (ታ ሃጊያ= 1405
ቅድሳት)[150] እውን ይበሃል። ኣብ ጸሎተ-ሃይማኖት ዚርከብ ናይ'ቲ "ሱታፌ
ቅዱሳን" ዚብል ብሂል ቀዳማይ ትርጓሜኡ ኅብስተ መላእክት፣ ኅብስተ-ሰማይ፣
ፈውሲ ዘለዓለምነት (ዘይመዋትነት)[151] መንፈሳዊ ስንቂ...ዚብል እዩ።

**1332** ቅዳሴ (ብላቲን "ሚሳ") ዚበሃል ከኣ፣ እቲ ምሥጢረ ድኅነት ዚፍጸመሉ 849
ግብረ-ኣምልኾት፣ ነቶም ምእመናን ኣብ ዕለታዊ ሕይወቶም ፍቓድ-ኣምላኽ
ኪፍጽሙ ንዚወሃቦም ተልእኮት (ሚስዮ) ብዚገልጽ ቃል ስለዚዛዘም እዩ።

# III. ቅዱስ ቍርባን፡ ኣብ ሥነምጋቤ ድኅነት

## ናይ ኅብስትን ወይንን ምልክታት

**1333** ናይ'ዚ ሥርዓት ቅዱስ ቍርባን ቀንዲ ማእከሉ ዚበሃል፡ እቲ ብቓላት- 1350
ክርስቶስን፡ ብምህለላ (ጽዋዔ) መንፈስ ቅዱስን፡ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን 1147
ዚኸውን እንጌራን (ኅብስት) ወይንን እዩ። ቤተክርስትያን ከኣ፡ ንትእዛዝ-ጐይታኣ 1148
እምንቲ ንምዃን፣ ንሱ ባዕሉ ኣብ ድሮ ሥቓያቱ (ሕማማቱ) ንዝፈጸሞ ክሳብ'ቲ
ግርማ ዝመልአ ዳግማይ ምጽኣቱ ብምቕጻል፣ ንዝኽሩ ኢላ ክትሠርዮ ትርከብ።
"ኅብስቲ ኣልዓለ..." "ነቲ ወይኒ ዝመልኤ ጽዋዕ ኣልዓለ....."። ልዕሊ-ኣእምሮና
ብዝኾነ ምሥጢራዊ መንገዲ እቲ ናይ ኅብስትን ወይንን ምልክት (ትእምርት)
ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ይኸውን። ምስኡ'ውን ጽባቔ ፍጥረት ዘመልክት
ኮይኑ ይቕጽል።[152] ምእንት'ዚ ከኣ ኣብቲ ጸሎተ-ወፈያ፣ ፍረ ሰብኣዊ ስራሕን፣
ልዕሊ ኹሉ ድማ "ናይ ምድሪ ፍርያትን" "ናይ ወይኒ ውጽኢትን"፣ ህያብ-ፈጣሪ
ምእንቲ ዝኾነ ኅብስትን ወይንን ናብ ፈጣሪ ምስጋና ነዕርግ። ኣብቲ ንጉሥ-ካህን
ብምዃን "ኅብስትን ወይንን ዜቕርብ" መልከጼዴቕ፡ ቤተክርስትያን፡ እዚ ናታ
ወፈያ ተመሲሉ ትርእዮ።[153]

---

[149] 1 ቆሮ 10፡16-17 ረአ
[150] ሓዋርያዊ ሥርዓታት 8,13፣12፡PG 1፣1108፣ዲዲስቅልያ 9,5፣10፡6፡ SCh 248,176-178
[151] ቅ.እግናጽዮስ ዘኣንጾኪያ Ad Eph. 20, 2፡ SCh 10, 76
[152] መዝ 104፡13-15 ረአ
[153] ዘፍ 14፡18፣ ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ,EP I (Roman Canon) 95 ረአ

**1334** *ኣብ ዘመነ ብሉይ ኪዳን፣ ካብ'ቲ ኵሉ በዅሪ ፍርያት-ምድሪ*
1150 *ንኅብስትን (እንጌራን) ወይንን መጠን ምስጋና ንፈጣሪ መሥዋዕቲ ምቕራብ*
1363 *ልሙድ ነበረ። እንተዀነ እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ኣብ ዝወጽኡሉ (ፀኣት)*
*ኵነታት ሓዲስ ትርጓሜ ኪለብስ ተረኽበ። እስራኤላውያን ዓመት-መጽአ ኣብ*
*ፋሲካ ዚበልዕዎ ዘይበዅዐ እንጌራ፡ ነቲ ካብ ግብጺ ሓራ ዝወፅኡሉ ናይ*
*ታህዋኽን ተብተብን ንቕሎ ዜዘኻኽር ነበረ። ኣብ ምድረበዳ ዝበልዕዎ መና፣*
*እስራኤል ብናይ ቃል-ኣምላኽ እንጌራ ከምዚነብር ዜዘኻኽር እዩ።*[154] *እቲ*
*ዕለታዊ እንጌራኦም ድማ ናይ'ታ ምድሪ-ተስፋ ፍርያት ኮይኑ፣ ኣምላኽ ዝሃቦ*
*ቃሉ ከምዘይጠልም ዜረጋግጽ ዕርቡን እዩ። ኣብ ናይ ፋሲካ-ኣይሁድ ምዝዛም-*
*መኣዲ ዚለዓል "ጽዋዕ-በረከት"*[155] *ነቲ ወይኒ-ትፍሥሕት ዝዓዘዞ በዓል፡ ናይ*
*ዘመነ-ተፍጻሜት መልክዕ ይህቦ፤ ማለት ናይ ዳግመ-ሕንጸት ኢየሩሳሌም፣*
*መሢሓዊ ትጽቢት ዜመልክት እዩ። ኢየሱስ ቅዱስ ቍርባን ምስ ሠርዐ ኸኣ፡ ነዚ*
*ናይ ኅብስትን ጽዋዕን በረኸት፣ ሓዲሽን ናይ መወዳእታን ዝዀነ ትርጓሜ*
*ሂቡዎ።*

**1335** *እቲ እንጌራ ዘብዘሓሉ ተኣምር፣ ማለት ጐይታ ቃል-ቡራኬ/ምስጋና*
1151 *ፈጺሙ፡ ነቲ ኅብስቲ (እንጌራ) ቈሪሱ እቶም እልፊ-ኣእላፋት ኪምገቡዎ*
*ብደቀመዛሙርቱ ገቢሩ ዝዓደለሉ ኵነታት፣ እዚ ናይ ቅዱስ ቍርባን ፍሉይ*
*ዝዀነ ኅብስቲ ብብዝሒ ናይ ምዕዳሉ ኣምሳል እዩ።*[156] *ኣብ ቃና ናብ ወይኒ ናይ*
*ዝተለወጠ ማይ ምልክት(ትእምርት) ከኣ፡ ኢየሱስ ዚኽብረላ ሰዓት ከምዝበጽሐት*
*ዜርኢ ነበረ። ምእመናን ነቲ ደም ክርስቶስ ዝዀነ ሓዲሽ ወይኒ ዚሰትዩሉ፡ ናይ*
*መንግሥተ ሰማያት፣ ናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ በዓል-መርዓ ተፍጻሜት ዚገልጽ*
*እዩ።*[157]

**1336** *ብዛዕባ ሥቓያቱ (ሕማማቱ) ብዝነገሮም ግዜ ደቀመዛሙርቱ ከም*
1327 *ዝተዓንቀፉ፣ ልክዕ ከምኡ ብዛዕባ ቅዱስ ቍርባን ንፈለማ ግዜ ምስ ነገሮም*
*"እዝስ ጽንኩር ዘረባ እዩ፤ መን ኪሰምዖ ይኽእል?"*[158] *ኪብሉ ተኸፋፊሉ። ቅዱስ*
*ቍርባን ኮነ መስቀል እምኒ-ዕንቅፋት እዩ። እዚ'ውን እንተዀነ ምሥጢር እዩ፣*
*ወትሩ ኸኣ ናይ ምምቕቃልን ፍልልይን ምኽንያት ካብ ምዃን ኣየቋርጽን።*
*"ንስኻትኩምከ ክትከዱዶ ትደልዩ ኢኹም?"*[159] *እዚ ናይ ጐይታ ሕቶ፡ ንዘመናት*
*ኬቃልሕ ዚነብር ሕቶ እዩ፤ "ቃል ዘለዓለማዊ ሕይወት ዘለዎ"*[160] *ንሱ ጥራሕ*
*ከምዝዀነ፣ ንናይ ቅዱስ ቍርባኑ ህያብ ብእምነት ምቕባል ድማ፣ ንጐይታ*

---

[154] *ዘዳ* 8፡3 *ረአ*
[155] 1 *ቆሮ* 10፡16
[156] *ማቴ* 14፡13-21፣15፡32-39 *ረአ*
[157] *ዮሓ* 2፡11፣*ማር* 14፡25 *ረአ*
[158] *ዮሓ* 6፡60.
[159] *ዮሓ* 6፡67.
[160] *ዮሓ* 6፡68.

ብቐንዱ ምቕባል ከምዝኾነ፡ ንኽንርዳእ ጐይታ ባዕሉ ዜቕርበልና ዘሎ ፍቕሪ ዝመልአ መጸዋዕታ ዝሓዘለ ሕቶ እዩ።

## ምሥራዕ-ቅዱስ ቍርባን

**1337** ጐይታ ነቶም ናቱ ዝኾኑ ኵሎም ኣፍቀሮም፤ ክሳብ'ቲ መፈጸምታ'ውን 610
ከፍቅሮም ተረኽበ።ነዚ ዓለም'ዚ ሓዲጉ ናብ ኣቦኡ ዚምለሰላ ሰዓት ከምዝቐረበት 611
ብምርዳእ፣ ኣብ ግዜ-መኣዲ፡ እግሮም ሓጸበ። ነቲ ናይ ፍቕሪ ትእዛዙ ከኣ ሃቦም።[161] ናይ'ዚ ፍቕር'ዚ ዕርቡን (ትሕጃ) ካብ'ቶም ናቱ'ውን ፈጺሙ ምእንቲ ከይፍለን፣ ተሳተፍቲ-ፋሲካኡ ምእንቲ ኪገብሮምን፣ ከም መጠን ዝኽሪ ሞቱን ትንሣኤኡን ንቅዱስ ቍርባን ሠርዐ፤ ክሳብ ዳግማይ ምጽኣቱ ሥርዓት ቅዱስ ቍርባን ኪፍጽሙ ከኣ ኣዘዞም። “በዚ ድማ ናይ ሓዲስ ኪዳን ካህናት ገቢሩ ሠርዖም”።[162]

**1338** ሠለስቲኡ ግጽው-ወንጌል (synoptic)፡ ከምኡ'ውን ቅዱስ ጳውሎስ ናይ'ዚ ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን ታሪኽ የቕርቡልና። ቅዱስ ዮሓንስ'ውን ብወገኑ፣ ኣብ ምኵራብ ቅፍርናሆም ዝተነግረ፣ ንሥርዓት ቅዱስ ቍርባን ዜሰናዱ ቃላት-ኢየሱስ ጽሒፉልና ኣሎ፣ ክርስቶስ ንርእሱ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ-ሕይወት ኪብል ይሰሚ”።[163]

**1339** ኢየሱስ ንሓዋርያቱ፡ ሥጋኡን ደሙን ከምዚህቦም ኣብ ቅፍርናሆም ንዝነገሮም ቃል ብግብሪ ዚፍጽመሉ ግዜ ፋሲካ ኪኸውን መረጸ፣ 1169

> እቲ በጊዕ-ፋሲካ ኪሕረደላ ዚግባእ ዕለት፡ በዓል ቅጫ ኸኣ በጽሐት፤ ኢየሱስ ድማ ንጴጥሮስን ዮሓንስን፡ “በጊዕ ፋሲካ ምእንቲ ክንበልዕሲ፡ ከይድኩም ኣሰናድዉልና” ኢሉ ለኣኾም። ንሳቶም ከኣ “ኣበይ ክነሰናድዎ ኢኻ እትደሊ!” በልዎ። ንሱ ኸኣ “እነሆ ኣብ ከተማ ምስኣቶኹም ዕትሮ-ማይ ዝተሸከመ ሰብ ኪኳነፈኩም እዩ'ሞ ክሳብ'ታ ዚኣትዋ ቤት ሰዓብዎ። ነቲ ዋና-ቤት ከኣ “መምህርሲ እታ ምስ ኣርድእተይ በጊዕ-ፋሲካ ዝበልዓላ መዓርፎ ኣጋይሽ ኣበይ እያ? ይብለካ ኣሎ” በልዎ። ንሱ ድማ “ኣብ ደርቢ መቓምጦታት ዘለዎ ኣዳራሽ ከርእየኩም እዩ፤ ኣብኡ ኣሰናድዉ” በሎም። ምስከዱ ድማ ነገሩ ከምቲ ኢሉዎም ዝነበረ ኮይኑ ረኸብዎ፣ በጊዕ ፋሲካ'ውን ኣሰናደዉ። እዋኑ ምስበጽሐ ከኣ፣ ኣብ መኣዲ ተቐመጠ፤ እቶም ዓሠርተው ክልተ ሓዋርያት'ውን ምስኡ። ንሱ ድማ ሥቓይ ቅድሚ ምቕባለይ፣ ምሳኻትኩም ነዚ በጊዕ-ፋሲካ'ዚ ክበልዕ ብዙሕ ሃረር በልኩ ግዳስ፣ እዚ ኣብ መንግሥተ-እግዚኣብሔር ክሳብ ዚፍጸም ከምዘይበልዮ እነግረኩም ኣሎኹ” በሎም። ንጽዋዕ ኣልዒሉ ምስ ኣመስገነ ድማ “ነዚ ወሲድኩም ኵልኹም ተኻፈልዎ! መንግሥቲ እግዚኣብሔር ብኽብሪ ክሳብ እትመጽእ ካብ'ዚ ፍረ-ተኽሊ ወይን'ዚ ከቶ ከምዘይሰቲ እነግረኩም ኣሎኹ” በሎም”። እንጌራ

[161] ዮሓ 13፡1-17፣34-35 ረአ
[162] ጉባኤ ትረንቶስ (1562)፡ DS 1740
[163] ዮሓ 6 ረአ

ኣልዒሉ ድማ ቈረሰ'ሞ "እዚ ምእንታኹትኩም ዚውፈ ዘሎ ሥጋይ እዩ፡ እዚ ንተዝካረይ ግበርዎ" እናበለ ከኣ ሃቦም። ከምኡ ድማ ድሕሪ ድራር ነቲ ጽዋዕ ኣልዒሉ "እዚ ጽዋዕ'ዚ እቲ ምእንታኹትኩም ብዝፈሰሰ ደመይ ዝተሠርዐ ሓዲስ ኪዳን እዩ" እናበለ ሃቦም።[164]

**1340** ነቲ መወዳእታ ድራር፡ ምስ ሓዋርያቱ ኮይኑ ኣብቲ መኣዲ-ፋሲካ ብምፍጻሙ፡ ኢየሱስ ንፋሲካ-ኣይሁድ ሓዲሽን ናይ መወዳእታን ትርጓሜኡ
1151 ብምፍጻሙ፡ ኢየሱስ ንፋሲካ-ኣይሁድ ሓዲሽን ናይ መወዳእታን ትርጓሜኡ
677 ኣልበሶ። እዚ ናይ ኢየሱስ ብሞቱን ትንሣኤኡን ናብ ኣቦኡ ምስግጋሩ፣ ማለት እዚ ሓዲስ ፋሲካ (ሓዲስ ምስግጋር) ኣብ'ቲ መወዳእታ ድራር ኣቐዲሙ ተራእዩ፣ ኣብቲ ሥርዓት ቅዱስ ቍርባን ከኣ ተኸቢሩ ይርከብ። እዚ ድማ ነቲ ፋሲካ ኣይሁድ ተፍጻሜት ዚህቦ፣ ቤተክርስትያን ኣብ ክብሪ-መንግሥተ ሰማያት ንእትገብሮ ናይ መወዳእታ (ፋሲካ) ምስግጋር ከኣ ኣቐዲሙ ዜርኢ እዩ።

## "እዚ ንዝኽረይ ግበሩ"

**1341** ነዚ ተግባራቱን ቃላቱን፣ ከሳብ "ዳግማይ ምጽኣቱ" ክንደግሞ
611 ዝተዋህበ ትእዛዝ.... ኢየሱስ፣ ነኣኡን ነቲ ዝፈጸሞ ተግባሩን ንምዝካር ጥራሕ
1363 ኣይኮነን ዚሓተና። ሓዋርያትን ተካእቶምን ናብ ዚፍጽምዎ፣ ናይ ተዝካረ-ክርስቶስ፣ ናይ ሕይወቱ፣ ሞቱ፣ ትንሣኤኡ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር-ኣቦ ናይ ዝፈጸሞ ኣማልድነቱን፣ ናብ'ዚ ኵሉ ኣምልኾኣዊ ተግባር ዘተኰረ እዩ።[165]

**1342** ካብ ፈለማ ኣትሒዛ ቤተክርስትያን ነዚ ትእዛዝ-ጐይታ ብተኣማንነት
2624 ፈጺማቶ እያ። ብዛዕባ'ታ ናይ ኢየሩሳሌም ቤተክርስትያን ከምዚ ዚስዕብ ተጻሒፉ ኣሎ፡-

ንሳቶም ድማ፡ ኣብ ትምህርቲ-ሓዋርያትን፣ ሱታፌ-ኅውነትን፣ ኣብ ምቝራስ ኅብስትን ጸሎትን ይጽመዱ ነበሩ.....ኣብ ጸጽባሕ ከኣ ብሓበረት ኣብ ቤተመቕደስ ይእከቡን ንእግዚኣብሔር እናኣመስገኑን፣ ኣብ ቅድሚ ኵሉ ሕዝቢ ድማ ሞገስ እናረኸቡን፣ ኣብ ኣባይቶም ኅብስቲ እናቘረሱ ብታሕጓስን ብግሩህ ልብን ይምገቡ ነበሩ።[166]

**1343** ክርስትያን "ንምቝራስ ኅብስቲ" ዚእከቡ ዝነበሩ፣ ልዕሊ ኾሉ "በታ
1166 ናይ ሰሙን ቀዳመይቲ መዓልቲ" ማለት ብሰንበት፡ በታ ዕለተ ትንሣኤ-ኢየሱስ
2177 እዮም።[167] ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ክሳብ'ዚ ግዜና ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን ቀጺሉ፣ ስለ'ዚ ኸኣ ሎሚ ኣብ ኵሉ ወገናት ቤተክርስትያን፡ ተመሳሳሊ መሠረታዊ ኣሠራርዓኡ ሒዙ ንረኽቦ። ናይ ሕይወት-ቤተክርስትያን ዓንድማእከል ኮይኑ ዚነብር እዩ።

---

[164] ሉቃ 22፡7-20፣ማቴ 26፡17-29፣ማር 14፡12-25፣1 ቆሮ 11፡23-26 ረአ
[165] 1 ቆሮ 11፡26 ረአ
[166] ግ.ሓ 2፡42፣ 46.
[167] ግ.ሓ 20፡7.

**1344** ስለ'ዚ ካብ'ቲ ሓደ ሥርዓተ-ዝኽርን ክብርን ናብ'ቲ ካልእ እናተሰጋገረ፣ 1404
እቲ ኣብ ንግደት/ጕዕዞ ዘሎ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር፣ "ክሳብ ዳግማይ ዚመጽእ" ንናይ ኢየሱስ ፋሲካዊ ምሥጢር እናኣወጀ፣ "በታ ጸባብ መንገዲ-መስቀል[168] ተኸቲሉ"፣ ኵሎም ጎሩያን ኪቕመጡሉ ናብ ዘለዎም፣ ናብ'ቲ ናይ መንግሥተ ሰማያት መኣዲ ገጹ ንቕድሚት ኪስጕም ይርከብ።

# IV. ግብረ ኣምልኾኣዊ (ሊጡርግያዊ) ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን

## ንዘመናት ዝተፈጸመ "ግብረ ቅዳሴ"

**1345** ካብ ካልኣይ ምእተዓመት ጀሚሩ ናይ ሥርዓት ግብረ-ቅዳሴ መሠረታዊ መልክዕን መሥርዕን ከመይ ከም ዝነበረ ዜረድእ ናይ ቅዱስ ዩስጢኖስ ሰማዕት ምስክርነት ኣሎና። ኣብ ኵለን እተን ዓበይቲ ናይ ሥርዓታት-ኣምልኾ ወገናት እዚ መልክዑን መሥርዑን ክሳብ ሎሚ ተመሳሳሊ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ 155 ዓ.ም.ፈ. ኣቢሉ ቅዱስ ዩስጢኖስ፡ ናብ ኣረማዊ ንጉሠ ነገሥት ኣንቶኒኑስ ፕዮስ (138-161) ኣብ ዝጸሓፎ፡ ክርስትያን እንታይ ከምዚገብሩ ይገልጽ (ይዝርዝር)፦

> *በታ ዕለተ-ፀሓይ ኢልና ዝሰመናያ መዓልቲ፣ ኵሎም እቶም ኣብ ከተማ ኮነ ኣብ ገጠር ዚነብሩ ኣብ ሓደ ቦታ ይእከቡ።*
>
> *ግዜ መጠን ዘፍቀደ ከኣ፣ ካብ'ቲ ናይ ሓዋርያት መዝገበ-ዝኽርታትን፣ ካብ ናይ ነቢያት ጽሑፋትን የንብቡ።*
>
> *እቲ ዝተመዘዘ ኣንቢቡ ምስወድአ፣ እቲ ንኣኼባ ዚመርሕ ማዕዳን መተባብዕን ይህብ፣ ነቲ ዝተነበበ ጽቡቕ ነገራት ብግብሪ ኪኽተሉዎ ይላበዎም።*
>
> *ድሕር'ዚ ኵልና ንትንሥእ (ደው ንብል)፣ ኣብ ኵሉ መደብ ሕይወትን ተግባራትን ቅኑዓት፣ ንትእዛዛት ከኣ እሙናት ፈጺምቲ ብምዃን፣ ዘለዓለማዊ ድኅነት ንምጭባጥ ምእንቲ ክንበቅዕ ምእንቲ ርእስናን፣.... ኣብ ዘዘለዉዎ'ውን ምእንቲ ኻልኦትን፣ ጸሎታትን ልመናታትን(*) ነዕርግ።*
>
> *ጸሎታት ምስኣብቀዐ ንሓድሕድና ሰላምታ ንወሃሃብ።*
>
> *ቀጺሉ፡ ሓደ ሰብ፣ ኅብስትን፡ ሕዉስ ማይን ወይንን ዘለዎ ጽዋዕን ሒዙ ናብ'ቲ ኣብ መንጎ ኣኅዋት ዚመርሕ የቕርቦ።*
>
> *ንሱ ድማ ተቐቢሉ፣ ብስም ወልድን ብስም መንፈስ ቅዱስን፡ ናብ'ቲ ናይ ምድረ-ዓለም ኣቦ ውዳሴን ክብርን የዕርግ፤ ነዚ ህያባት'ዚ እንበቕዕ ስለዝገበረና ድማ፣ ዚኣክል ግዜ ጸሎት ምስጋና (ብግሪኽ/ኤውኻሪስቲያ ጸሎት ኣኰቴት) የቕርብ።*

[168] ናብ ኣሕዛብ AG 1፣1 ቆሮ 11፡26 ረአ

ኵሉ ጸሎታቱን ምስጋናኡን ምስወድኣ፣ ኵሎም ብሥሙር ድምጺ-ታሕጓስ "ኣሜን" ይብሉ።

እቲ መራሒ-ጉባኤ ምስጋናኡ ምስኣእከለ፣ ሕዝቢ'ውን ምላሹ ምስሃበ፣ እቶም ዲያቆናት እንብሎም፡ ካብቲ "ዝቌርበነ" ወይ "ዝተለወጠ" (ጸሎት *ምስጋና ዝተፈጸመሉ) ኅብስትን ወይንን ማይን ንኵሎም ኣብኡ ዘለዉ ይዕድልዎም፣ ንዘየለዉ ከኣ ይወስዱሎም።*[169]

**1346** እዚ ናይ ቅዳሴ *ሥርዓተ-ኣምልኾ*፣ ክሳብ'ዚ ግዜና፡ ንሓያሎይ ምእተዓመታት ዝዓቀቦ *መሠረታዊ* ቅርጺ (*መሥርዕ*) ሒዙ ከምዝጸንሐ ይግለጽ። *መሠረታዊ* ሓድነት ኣብ ዘለዎም ክልተ ክፍልታት ይምቀል።

- *ሥርዓተ ቅዳሴ፡-* ንባባትን፡ ስብከትን፡ ስእለታትን (ልመናታት) ዝሓዘ ወገን፡
- *ኣኰቴተ ቍርባን፡-* ግብኣተ-ግብር ማለት ኅብስትን ወይንን ዚቐርበሉ፣ ቀዳሲ ዝኾነ ጸሎት ምስጋና ዚዓርገሉን፣ምቕባል ቅዱስ ቍርባን ዚፍጸመሉን ወገን እዩ።

103 *ሥርዓተ* ቅዳሴን ኣኰቴተ ቍርባንን ክልቲኡ "ዘይነጻጸል ኡንኮ ግብረ-ኣምልኾ"[170] የቕውም። እቲ ዝተሠርዓልና መኣዲ-ቍርባን ድማ፡ ናይ ክልቲኡ ናይ *ቃል-ኣምላኽ*ን፣ ናይ (ጐይታ) *ሥጋ*ኡን ደሙን *መኣዲ* እዩ።[171]

**1347** እዝስ እቲ ዝተንሥአ ጐይታ ምስደቀመዛሙርቱ ኮይኑ ንዝፈጸሞ *መኣዲ-ፋሲካዶ* ኣይመሳሰልን? ምስኣቶም ሓቢሩ እናተጓዕዘ (እናተንቀሳቐሰ) ቅዱስ *መጽሓፍ* ገለጸሎም፣ ኣብ *መኣዲ* ምስኣቶም ተቐሪቡ (ተቐሚጡ) ከኣ "እንጌራ ኣልዓለ፣ ኣመስጊኑ፣ ቈሪሱ ከኣ ነኣኣቶም ሃቦም"።[172]

## ኣብ ኣሠራርዓኡ ዚፍጸም ተግባራት

**1348** *ኵሎም ብሓንሳብ ይእከቡ።* ክርስትያን ኵሎም ንመሥዋዕተ ቅዳሴ
1140 ኣብ ሓደ ቦታ ይጋብኡ። ናይ'ዚ ጉባኤ ዋናን ርእስን፣ እቲ ናይ መሥዋዕተ
1548 ቅዳሴ ቀንዲ ሠራዒ ባዕሉ ክርስቶስ እዩ። ንሱ ናይ'ታ ሓዳስ ኪዳን ሊቀካህን እዩ። ኣብ ዝኾነ ቅዱስ ቍርባን ዚሥረዓሉ ዘበለ እቲ ብሥዉር ዚመርሕ ድማ ባዕሉ እዩ። ኣቡን (ጳጳስ) ኮነ ካህን፡ ከኣ ነቲ ጉባኤ ዚመርሕ፣ ብድሕሪ ንባባት ዚዛረብ (ዚምዕድ)፣ ወፈያታት ዚቕበልን ናይ ምስጋና (ኣኰቴተ ቍርባን) ጸሎት ዜብጽሕን፡ ንክርስቶስ ወኪሉ፣ ብስም'ቲ ዋና/ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ እዩ። ኵሎም እውን ኣብ ሥርዓተ ኣምልኾ ዚፍጽምዎ ነፍስወከፍ በብመንገዱ ነናቱ እጃምን ንጥፈትን ኣለዎም። ኣንበብቲ፣ ወፈያታት ኣቕረብቲ፣ ቅዱስ ቍርባን ዓደልቲ፣ ከምኡ'ውን እቲ "ኣሜን" ብዚብል ቃሉ ሱታፌኡ ዚገልጽ መላእ ሕዝቢ።

---

[169] ቅ.ዩስጢኖስ Apol. 1, 65-67፡ PG 6, 428-429፣ (ኣብ'ዚ ጠቕስ'ዚ ቅድም'ቲ ምልክት ኮኸብ ዘለዎ ካብ ምዕ.67 እዩ) (*)

[170] ቅዱስ ጉባኤ SC 56

[171] *ቃል-ኣምላኽ* DV 21 *ረአ*

[172] ሉቃ 24፡13-35 *ረአ*

**1349** ሥርዓተ ቅዳሴ ዚበሃል፣ ነቲ ናይ ነቢያት ጽሑፋት ማለት ንብሉይ 1184
ኪዳን፣ ከምኡ'ውን ንናይ "ሓዋርያት መዝገበ ዝኽርታት"(መልእኽታትን ወንጌላትን) ዜጠቓልል እዩ። ድሕሪኡ ስብከት ይስዕብ፤ ስብከት ነቲ ዝተነበበ ቓል ከም'ቲ ሓቁ፣ መጠን ቃል-ኣምላኽ ንምቕባሉ፣[173] ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ዚቐርብ ማዕዳ እዩ። ድሕሪ ስብከት፣ ስእለታት ማለት ምእንቲ ኵሎም ሰባት ዚቐርብ ልመናታት ኣሎ። እዚ ኸኣ ነቲ "...ምእንቲ ዅሉ ሰብ ልመናን ምህለላን ጸሎትን ምስጋናን ኪግበር ኣማሕጽነካ ኣሎኹ።... ምእንቲ ነገሥታትን ሰበሥልጣንን ኵሎም ምጽላይ የድሊ"።[174] ዚብል ቃል-ሓዋርያ ተኸቲሉ ዚግበር እዩ።

**1350** ሥርዓተ ኣቕርቦት ወይ "ግብኣተ ግብር" ድሕር'ዚ፡ እቲ ገሊኡ ሳዕ 1359
ብመልክዕ ዑደት ዚፍጸም፣ ኅብስትን ወይንን ናብ ምሥዋዕ ዚቐርበሉ ሥርዓት 614
ይስዕብ። እዚ ወይንን ኅብስትን ድማ፡ ካህን ብስም'ቲ ኣብ መሥዋዕተ ቍርባን ዘሎ ክርስቶስ የወፍዮ'ሞ፣ ኣብኡ ከኣ ሥጋኡን ደሙን ይኸውን። ክርስቶስ ኣብ መወዳእታ ድራር "ኅብስትን ጽዋዕን ብምልዓል" ዝፈጸሞ ተግባር ብቐንዱ እዩ። ነቲ ዅሉ ካብ ፍጥረቱ ዚመጽእ ዘበለ ብምስጋና እንከተወፍየሉ፣ ንፈጣሪ ንጹሕ መሥዋዕተ-ቍርባን ከተቕርብ እትኽእል ቤተክርስትያን ጥራሕ እያ።"[175] እቲ ንመሥዋዕቲ ዚቐርብ ወፈያ ኣብ'ቲ ምሥዋዕ ዚድይበሉ ኣገባብ፣ ብመልክዕ'ቲ ናይ መልከጼዴቅ ተግባር ኮይኑ፣ ንናይ ፈጣሪ ህያባት ኣብ ኢድ-ክርስቶስ ዜንብር እዩ። ክርስቶስ ድማ ብወገኑ፡ በቲ መሥዋዕቱ ኣቢሉ፣ መሥዋዕቲ ንምውፋይ፡ ንዚግበር ሰብኣዊ ፈተነታት ኵሉ ናብ ፍጽምና የብጽሖ።

**1351** ካብ ጥንቲ ጀሚሮም፣ ምስ'ቲ ንመሥዋዕተ-ቅዳሴ ዚኸውን ናይ 1397
ኅብስትን ወይንን ወፈያ፣ ነቶም ኣብ ጸገም ዘለዉ ድኻታት ዚኸውን ክርስትያን 2186
ዜቕርብዎ ህያባት ነይሩ እዩ። ምጽዋት/መባእ ናይ ምእካብ ቅኑዕን ግቡእን ልምዲ፡ ነኣና ሃብታማት ኪገብር ርእሱ ብዘድከየ ብናይ ክርስቶስ ኣብነት ዝተበገሰን ዝተንቀሳቐሰን ተግባር እዩ፡[176]

> እቶም ሃብታማት ዝኾኑን፣ ድልየት ዘለዎምን ከም'ቲ ዝመረጽዎ ይህቡ። እቲ ዝተኣከበ ድማ፣ ንዘኽታምን መበለታትን፣ ነቶም ብሕማም ኮነ ብኻልእ ጸገማት ምንጪ-መነባበሪ ዘይብሎም፣ ንሕቡሳትን፣ መንገደይናታትን፣ ብሓጺሩ ንዅሎም'ቶም ኣብ ጸገም ዚርከቡ፡ ሓገዝ ምእንቲ ኪኸውን፣ ነቲ መራሒ-ኣኼባ የረክብዎ ነበሩ።[177]

**1352** ኣኰቴተ ቍርባን። በዚ ጸሎተ ኣኰቴተ-ቍርባን ዚስመ፣ ናይ ምስጋናን ናይ ቀድሶትን ጸሎታት ዝሓቘፈ ወገን፣ ናይ'ቲ ሥርዓት ኣንጕዕን፣ ዝለዓለ ጠርዝን ናብ ዝኾነ ወገን-ቅዳሴ በጺሕና ማለት እዩ፡-

---

[173] 1 ተስ 2፡13 ረአ
[174] 1 ጢሞ 2፡1-2.
[175] ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres. 4, 18, 4፡ PG 7/1, 1027፣ሚል 1፡11 ረአ
[176] 1 ቆሮ 16፡1፣2 ቆሮ 8፡9 ረአ
[177] ቅ.ዩስጢኖስ Apol. 1, 67፡ PG 6, 429.

ኣብ'ቲ "መቅድመ-ጸሎት"(Preface) ምእንት'ቲ ናይ ፍጥረትን ድኅነትን፣
559 ናይ ቀድሶትን ተግባራቱ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ብኽርስቶስ ኣብ መንፈስ ቅዱስ፡ ቤተክርስትያን ምስጋና ተቕርበሉ። እታ መላእ ማኅበር ከኣ፡ ምስታ ኣብ ሰማይ ዝነገሠት ቤተክርስትያን፣ ማለት መላእኽትን ኵሎም ቅዱሳንን ምስ ዚዝምርዎ ናይ'ቲ ሥሉስ-ቅዱስ ኣምላኽ ዘየቋርጽ ውዳሴ ተጸንቢራ ክትዝምር ትርከብ።

**1353** ምህለላ-(ጽዋዔ) መንፈስ ቅዱስ (Epiclesis) ኣብ'ዚ ጸሎት'ዚ እግዚኣብሔር
1105 -ኣቦ መንፈስ ቅዱሱ(ወይ ከኣ ኃይሊ-ቡራኬኡ[178]) ኣብ ልዕል'ቲ ኅብስትን ወይንን ኪሰድድ'ሞ፣ በዚ ኃይሉ ከኣ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ምእንቲ ኪኸውንን፣ እቶም ንቕዱስ ቍርባን ዚቕበሉዎ (ዚሳተፍዎ) ድማ ሓደ ኣካልን መንፈስን ምእንቲ ኪኾኑ ቤተክርስትያን ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ጸሎታ ተዕርግ። (ኣብ ናይ ገሊኡ ሥርዓታት ትውፊት፣ እቲ ጸሎተ ምህለላ ወይ ጽዋዔ መንፈስ ቅዱስ ድሕር'ቲ ናይ ተዝካር ቃላት ይርከብ።)

ኣብ'ቲ ትረኻ-ሥርዓት እቲ ናይ ክርስቶስ ኃይሊ ቃላቱን ተግባራቱን፣
1375 ምስኡ'ውን ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ኮይኑ፣ ኣብ'ቲ መልክዕ ኅብስትን ወይንን፡ እቲ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ብምሥጢራዊ መንገዲ ህልው ከምዚኸውን፣ ነቲ መሥዋዕቲ'ውን፡ ኣብ መስቀል ምእንቲ ኵሉ ዝተወፈየ መሥዋዕቱ ኪገብሮ ይርከብ።

**1354** በቲ ዚስዕብ ቃላተ-ዝክር፣ ቤተክርስትያን ነቲ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ
1103 ሥቓያቱ (ሕማማቱን ሞቱን) ትንሣኤኡን፣ ብግርማ ዚኸውን ዳግማይ ምጽኣቱን ትዝክር፣ ነቲ ምስኡ ዜተዓርቐና ናይ ወዱ መሥዋዕተ-ወፈያ ቤተክርስትያን ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ከተቕርቦ ትርከብ።

ኣብቲ ናይ ኣማልድነት ጸሎታት ዚበጽሓሉ ወገን፡ ቅዱስ ቍርባን፡
954 ምስ'ታ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ፡ እትርከብ ቤተክርስትያን፣ ምስ ህልዋንን ሙታንን፣ ከምኡ'ውን ምስ'ቶም ጓሶት ቤተክርስትያን፡ ማለት ምስ ርእሰሊቃነ ጳጳሳትን፣ ምስ'ቲ ናይ ሰበኻ ኣቡንን ምስ ካህናቱን ዲያቆናቱን፣ ምስ'ቶም ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ኵሎም ኣቡናትን ኣብያተክርስትያናቶምን፡ ብኅብረትን ሱታፌን ዚፍጸም ምዃኑ ቤተክርስትያን ትገልጽ።

**1355** ኣብ'ቲ ድሕሪ ጸሎተ "ኣቡነ ዘበሰማያት"ን፣ ምቍራስ-ኅብስትን ዚስዕብ
1382 ዕርገተ (ምቕባል) ቅዱስ ቍርባን፣ ምእመናን፡ ነቲ "ናይ ሰማይ እንጌራን" "ጽዋዕ-ድኅነትን"፣ ማለት "ምእንቲ ሕይወት-ዓለም"[179] ርእሱ ናይ ዘወፈየ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ይቕበሉ፡

---

[178] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ EP I (Roman Canon) 90 ረአ
[179] ዮሓ 6፡51.

እዚ ኅብስትን ወይንን ናብ ቅዱስ ቍርባን ስለዝተለወጠ (ብጥንታዊ ኣዘራርባኡ "ቈርቢኑ" ቅዱስ ቍርባን ኮይኑ) ቅዱስ ቍርባን ኢና ንብሎ። እዚ እንምህሮ ዘሎና ሓቂ ምዃኑ ዚኣምን፣ ንኀድገት-ኃጢኣትን ንዳግም ልደትን ኢሉ ብጥምቀት ዝተሓጽበ፣ ነቲ ክርስቶስ ዝመሃሮ ዚሕሉ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ቅዱስ ቍርባን'ዚ ዚሳተፍ ወላ ሓደ'ኳ የልቦን።"[180] 1327

## V. *ምሥጢራዊ-መሥዋዕት፡ ምስጋና-ዝኽሪ-ህላዌ*

**1356** ምስ'ቲ ኵሉ ኣዝዩ ዝተፈላለየ ግዜያት፡ሥርዓት-ኣምልኾትን፣ ክርስትያን ካብ ፈለማ ኣትሒዞም ንቅዱስ ቍርባን *መሠረቱን እንታይነቱን* ከይለዋወጡ ከኽብርዎን ኪሠርዕዎን ዝተረኽቡ ቀንዲ ምኽንያቱ፣ *ጐይታ* ኣብ ድሮ-*ሥቓያቱ* (ሕማማቱ) "እዚ ንዝኽረይ ግበሩ"[181] ኪብል ብዝሃቦ ትእዛዝ ተገዚእና ክንካየድ ከምዚግበኣና ስለእንፈልጥ እዩ።

**1357** ነዚ ናይ *መሥዋዕቱ* ዝኽሪ ብምፍጻም (ብም*ሥራዕ*) ድማ ነዚ ትእዛዝ-ጐይታ ክንፍጽም ንርከብ። በዚ ተግባር'ዚ ከኣ፣ ነቲ ንሱ ባዕሉ ዝዓደለና ናይ ፍጥረቱ ህያብ ዝኾነ ኅብስትን ወይንን፣፣ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስን ብቓላት-ክርስቶስን፣ ናብ *ሥጋን ደምን* ክርስቶስ ዝተለወጠ፣ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ነወፍየሉ፤ ክርስቶስ እምበኣር ኣማናዊ (real) ከምኡ'ውን ምሥጢራዊ ብዝኾነ ኣገባብ ህልው ይኸውን።

**1358** ን*መሥዋዕቲ* ቅዱስ ቍርባን ከስ በዚ ዚስዕብ ክንሓስቦ ንኽእል፡

- ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚቐርብ ምስጋናን ውዳሴን
- ናይ ክርስቶስን ናይ'ቲ ኣካሉን *መሥዋዕተ*-ዝኽሪ
- ብኃይሊ ቓሉን መንፈሱን ዚግለጽ ህላዌ-ክርስቶስ።

## ናብ ኣቦ ዚቐርብ ምስጋናን ውዳሴን

**1359** እዚ ብኽርስቶስ ኣብ መስቀል ዝተፈጸመ፣ ናይ ድኅነትና ምሥጢር (ትእምርት) ዝኾነ ቅዱስ ቍርባን፡ ምእንቲ ተግባር-ፍጥረት ዚቐርብ መሥዋዕተ ውዳሴን ምስጋናን'ውን እዩ። ኣብ *መሥዋዕተ* ቅዱስ ቍርባን ድማ፡ እቲ ኣምላኽ ዘፍቀሮ መላእ ፍጥረት፣ ብናይ ክርስቶስ ሞትን ትንሣኤን ኣቢሉ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ኪቐርብ ይርከብ። ቤተክርስትያን ከኣ፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ገቢራ፣ ስለ'ቲ ኹሉ ኣምላኽ ዝገበሮ፣ ናይ ፍጥረትን ሰብኣውነትን ሠናይን ጽቡቕን ቅኑዕን ዘበለ፣ መሥዋዕተ ውዳሴን ምስጋናን ከተቕርብ ትኽእል። 293

[180] ቅ.ዩስጢኖስ Apol. 1, 66, 1-2፡ PG 6, 428.
[181] 1 ቆሮ 11፡24-25.

**1360** መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን፣ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚውፈ መሥዋዕተ-
1083 ምስጋና፣ ምእንትʼቲ ዅሉ ሠናያቱን ልግሥታቱን፣ ምእንቲʼቲ ዅሉ ብግብረ
ፍጥረትን፣ ድኅነትን፡ ቀድሶትን ዝፈጸሞ፣ ቤተክርስትያን ንኣምላኽ ሞሳኣ
እትገልጸሉ ቡራኬ እዩ። ቅዱስ ቊርባን ማለት ልዕሊ ኹሉ "ምስጋና" እዩ
ዜስምዕ።

**1361** መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን፣ ቤተክርስትያን ብስም መላእ ፍጥረት
294 ንኽብሪ (ግርማ) እግዚኣብሔር እትዝምረሉ መሥዋዕተ-ውዳሴ (ስብሓት) እውን
እዩ። እዚ መሥዋዕተ-ውዳሴ ኪፍጸም ዚከኣል ብኽርስቶስ ጥራሕ እዩ፤ እቲ ናብ
እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚቐርብ መሥዋዕተ ውዳሴ ብክርስቶስን፡ ምስ ክርስቶስን
ተወፍዩ ኣብኡ ቅቡል ምእንቲ ኪኸውን፣ ክርስቶስ ንምእመናን ምስ ርእሱ፣ኣብ
ውዳሴኡ፣ ኣማልድነቱን ከወሃህዶም ይርከብ።

## ናይ ክርስቶስ መሥዋዕተ-ዝኽርን ኣካሉን(ቤተክርስትያን)

**1362** መሥዋዕተ ቅዱስ ቊርባን፣ ናይ ፋሲካ-ክርስቶስ ዝኽሪ፣ ኣካሉ ኣብ
1103 ዝኾነት ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ሊጡርግያ (ግብረ ኣምልኾ) ድማ ነቲ ኡንኮ
መሥዋዕቱ ህልው ዚገብርን፡ ምሥጢራዊ ወፈያኡ ምኳኑ ዚነግርን እዩ። ኣብ
ኵሉʼቲ ጸሎተ ኣኰቴተ-ቍርባናት ከኣ፡ ድሕርʼቲ ናይ ሥርዓት ቃላት-ትረኻ፣
ዝኽሪ (ኣናምነሲስ) ዚበሃል ጸሎት ንረክብ።

**1363** ብናይ ቅዱስ መጽሓፍ ትርጓሜኡ ዝኽሪ ወይ ተዝካር ኪበሃል ከሎ፣
1099 ናይ ዝሓለፈ ክዉን ነገራት ትዝታ ብሕቱ ዘይኮነስ፣ ኣምላኽ ምእንቲ ረብሓ
ደቅሰብ ንዝፈጸሞ ዓበይቲ ግብራቱ ምእዋጅ (ምንጋር ምብሣር) ማለት እዩ።[182]
ብፍላይ ኣብቲ ብግብረ-ኣምልኾኣዊ ኣገባብ ዚኽበረሉን ዚዝከረሉን ግዜ እዚ
ዓበይቲ ግብራትʼዚ ህልውን ኣማናውን ይኸውን። እስራኤልʼውን ካብ ግብጺ ሓራ
ንዝወጽኣሉ ዚዝክሮ ዝነበረ በዚ ዓይነትʼዚ እዩ፡- ወትሩ ግዜ ፋሲካ እናኺበዓል
ከኣ ንሕይወቶም ምስኡ ምእንቲ ከሰማምዕዎ፣ እቲ ናይ ፀኣተ-ግብጺ ክዋኔ
(ፍጻሜ) ኣብ ዝኽሪ-ምእመናን ህልው ከምዚኸውን ይግበር።

**1364** ኣብ ሓዲስ ኪዳን፡ እቲ ዝኽሪ ሓዲሽ ትርጓሜ ይለብስ። ቤተክርስትያን
611 ቅዱስ ቊርባን ከትሠርዕ ከላ፣ ንፋሲካ-ክርስቶስ ትዝክር ተኽብር፣ ዳግማይ
1085 ህልው ከምዚኸውን ትገብሮ። ሓደ ግዜ ክርስቶስ ምእንቲ ኵሉ ኢሉ ኣብ መስቀል
ዝፈጸሞ መሥዋዕቲ ንወትሩ ህልው ኮይኑ ይነብር።[183] እቲ ፋሲካና ዝኾነ
ክርስቶስ ዝተሠወዓሉ መሥዋዕቲ-መስቀል፣ ኣብ መንበረ ምሥዋዕ (ታቦት) ኣብ
ዚፍጸመሉ ወቕቲ፣ ሽዑ ስራሕ-ድኅነትና ይካየድ ኣሎ ማለት እዩ።[184]

---

[182] ዘፀ 13፡3 ረኣ
[183] ዕብ 7፡25-27 ረኣ
[184] ብር.ኣሕ. LG 3፣1 ቆሮ 5፡7 ረኣ

**1365** ናይ ፋሲካ-ክርስቶስ ዝኽሪ ብምዃኑ፣ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን መሥዋዕቲ 2100
እውን እዩ። ቅዱስ ቍርባን፡ መሥዋዕቲ ምዃኑ በቲ ናይ ኣሠራርዓኡ ቃላት 1846
ይግለጽ፡- "እዚ ምእንታኻትኩም ዝተዋህበ ሥጋይ እዩ"፣ "እዚ ጽዋዕ'ዚ እቲ ምእንታኻትኩም ብዚፈስስ ደመይ ዝተሠርዐ ሓዲስ ኪዳን እዩ"።[185] ኣብ ቅዱስ ቍርባን እምበኣር ክርስቶስ፡ ነቲ ኣብ መስቀል ዘወፈዮ ሥጋኡ ብቐንዱ ይህበና፣ ነቲ "ምእንቲ ብዙኃት ንኅድገተ-ኃጢኣት ዝፈሰሰ ደሙ ብቐንዱ የወፍየልና።[186]

**1366** በዚ ዓይነት'ዚ እምበኣር ነቲ መሥዋዕቲ መስቀል ዳግማይ ህልው 613
ዘገብርን፣ ናቱ ዝኽርን ብምዃን፣ ነቲ ፍረታቱ ኸኣ ኣብ ግብሪ ስለዘውዕሎ፡ ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን መሥዋዕቲ እዩ፡-

> ዘለዓለማዊ ድኅነት ምእንቲ ኪርከብ፣ ጐይታናን ኣምላኽናን (ክርስቶስ) ኣብ ናይ መስቀል ታቦተ-ምሥዋዕ ብዝኾነ ሞቱ፣ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ፡ ሓደ ግዜ እሞ ምእንቲ ኵሉ ርእሱ ወፍዩ እዩ። እንተኾነ፡ ክህነቱ ኣብ ግዜ-ሞቱ ዜብቅዕ ስለዘይነበረ፣ ኣብ'ቲ ናይ መወዳእታ ድራር፣ "በታ ብኽድዓት ዝተታሕዘላ ምሸት" ነታ ፍቕርቲ መርዓቱ ዝኾነት ቤተክርስትያን ሓደ ርኡይ መሥዋዕቲ ኪሓድገላ ደለየ። እዚ ኸኣ ባሕርይ-ሰብ ዚጽበዮ እዩ። እዚ ርኡይ መሥዋዕቲ ድማ ነቲ ብምፍሳስ-ደሙ ኣብ መስቀል ሓንሳብ ምእንቲ ኵሉ ኪፍጽሞ ዘለዎ መሥዋዕቲ ከምበሓዲሽ ህልው፤ ዝኽሩ ከኣ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ከምዚቕጽል፣ እቲ መድኃንን ከኣልን ኃይሉ ከኣ ኣብ'ቲ ዕለተ-ዕለት እንፍጽሞ ኵሉ ንኅድገት ኃጢኣት ከምዚኾነልና ዘገብር እዩ።[187]

**1367** እቲ ናይ ክርስቶስ መሥዋዕትን፣ እቲ ናይ ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባንን 1545
ሓደ መሥዋዕቲ እዩ፡- "እቲ ዚሥዋዕ ሓደ ንሱ እዩ፤ ብተልእኮት-ካህናት ኣቢሉ ዘወፈዮ ኮነ፣ እቲ ሽዑ ኣብ መስቀል ርእሱ ዘወፈየን ሓደ ንሱ እዩ፤ እቲ ኣገባብ ወይ ሥርዓት-ወፈያ ጥራሕ እዩ ዚፈላለ ዘሎ።" "እቲ ሓደ ግዜ ብምፍሳስ-ደም ኣብ ናይ መስቀል መንበረ-ምሥዋዕ ርእሱ ዘወፈየ ክርስቶስ፤ ኣብ'ዚ ኣብ ቅዳሴ ኣብ ዚፍጸም መለኮታዊ መሥዋዕቲ ብምሉኡ ስለዘሎን፣ ምፍሳስ-ደም ብዘይረኣዮ ኣገባብ ኪውፈ ስለዚርከብን...እቲ መሥዋዕቲ ናይ ሓቂ ካሕሳ-ኃጢኣት እዩ።"[188]

**1368** ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን፡ ናይ ቤተክርስትያን መሥዋዕቲ እውን እዩ። 618
እታ ኣካል-ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስትያን፣ እቲ ርእሳ (ክርስቶስ) ኣብ ዜቕርቦ 2031
መሥዋዕቲ ክትሳተፍ ትርከብ። ንሳ ንርእሳ ብምልኣታን ብኵለንትናኣን ምስኡ 1109
ትውፈ። ኣብ'ቲ ንሱ፡ ኣብ ኣቦኡ ምእንቲ ኵሎም ሰባት ዚፍጽሞ ኣማልድነት ከኣ ክትሓብር ትርከብ። ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን ኣብ ዚፍጸመሉ፡ እቲ መሥዋዕቲ-ክርስቶስ ናይ ኵሎም ኣባላት-ኣካሉ መሥዋዕቲ ይኸውን። እቲ ናይ

---

[185] ሉቃ 22፡19-20
[186] ማቴ 26፡28.
[187] ጉባኤ ትረንቶስ (1562)፡ DS 1740፣1 ቆሮ 11፡23፣ዕብ 7፡24፣ 27 ረአ
[188] ጉባኤ ትረንቶስ (1562)፡ Doctrina de ss. Missae sacrificio, c. 2፡ DS 1743፣ ዕብ 9፡14፣ 27 ረአ

ምእመናን ዕለታዊ ሕይወቶም፣ ውዳሴኦም ምስጋናኦም ሥቓያቶምን፣ ጸሎቶምን ስራሓቶምን ብምሉኡ ኣብ'ቲ ናይ ክርስቶስ፣ ምስ'ቲ መላእ ወፈያኡ ይወሃሃድ፣ በዚ ኸኣ ሓዲሽ ዋጋን ትርጕምን ይቕበል። እቲ ኣብ ታቦት-ምሥዋዕ ህልው ዝኾነ መሥዋዕቲ-ክርስቶስ እምበኣር ኵሎም ወለዶታት-ክርስትና ኣብ ናይ ክርስቶስ ወፈያ ንኺወሃሃዱ ዘኽእሎም እዩ።

ኣብ'ቲ ናይ ዘመነ-ሰማዕታት በዓቲ-ጐዳጕዲ (catacomb) ከምዚረአ ቤተክርስትያን ብዚበዝሕ፡ ኢዳ ዘርጊሓ ብእትጽሊ ሰበይቲ ተመሲላ ተሳኢላ ትርከብ። ከም'ቲ ኣብ መስቀል ኢዱ ዘርጊሑ ዝነበረ ክርስቶስ፣ በኣኡን ምስኡን ኣብኡን፡ ርእሳ ተወፊ፣ ምእንቲ ኵሎም ሰባት ከኣ ተማልድ።

**1369** መላእ ቤተክርስትያን ኣብ'ቲ ናይ ክርስቶስ ወፈያኡን ልመናኡን
834: 882 (ኣማልድነቱን) ዝተወሃሃደት እያ። ኣብ ቤተክርስትያን ተልእኮተ-ጴጥሮስ ዝለበሰ
1561 ብምኳኑ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ኣብ ዝኾነ ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን (ቅዳሴ) ኅብረት
1566 ስለዘለዎ፣ ከም ናይ ኵላዊት ቤተክርስትያን ናይ ሓድነታ ምልክትን ኣገልጋልን ኣብኡ ስሙ ኪጽዋዕ ይርከብ። ካህን ኣብ ዚመርሖ'ውን ይኹን፣ናይ ኵሉ ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን (ቅዳሴ) ዋናኡ (መራሒኡ) ናይ'ቲ ቦታ ኣቡን (ጳጳስ) እዩ። ናይ'ቲ ኣቡን ስሙ ዚጽዋዕ ከኣ፣ ኣብ መንጎ ካህናቱን፡ ብሓገዝ ዲያቆናቱን ተሰንዩ ንናይ'ቲ ቦታ ቤተክርስትያን መራሒኣ ምኳኑ ንምምልካት እዩ። ምእንትኣን፡ ምስኣን ኮይኖም መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ምእንቲ ዜወፍዩ ኵሎም ኣገልገልቲ (ልኡኻን)፣ እታ ማኅበረ ምእመናን ትጽልን ተማልድን።

> እቲ (ብሠራዒነት) ኣቡን ባዕሉ፣ ወይ ከኣ ንሱ ሕድሪ ብዝሃቦ ዚሥራዕ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ጥራሕ፡ ብቑዕን ግቡእን ኪኸውን ይግባእ።[189] በቲ ናይ ካህናት ኣገልግሎት (ተልእኮት) ኣቢሉ እቲ ናይ ምእመናን መንፈሳዊ መሥዋዕቲ ምስ'ቲ ንብሕቱ ዓራቒ (መንጎይና) ዝኾነ መሥዋዕቲ ክርስቶስ ብምውህሃድ ፍጽምና (ምልኣት) ይረክብ። ኣብ ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን ቅዳሴ ብስም መላእ ቤተክርስትያን ብኢድ-ካህናት ዚቐርብ፣ብዘይ ምፍሳስ-ደም ብምሥጢራዊ ኣገባብ፡ እሞ ባዕሉ ክሳብ ዚመጽእ ዚፍጸም መሥዋዕቲ እዩ።[190]

**1370** ኣብ'ዚ ናይ ክርስቶስ ወፈያ መሥዋዕቲ ዚጽንበሩ፡ እቶም ኣብ'ዚ
956 ምድር'ዚ ዘለዉ ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ እቶም ድሮ ኣብ ክብሪ-መንግሥተ ሰማይ
969 ዘለዉ እውን ከይተረፉ እዮም። ምስ ብፅዕት ድንግል ማርያምን ኵሎም ቅዱሳንን ብዚግበር ሱታፌን፡ ብመንፈስ ዝኽርን፣ ቤተክርስትያን መሥዋዕተ ቅዱስ ቍርባን (ቅዳሴ) ተዕርግ። ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ ቤተክርስትያን ኣብ እግሪ መስቀል ከምዘላ እናሓሰበት፡ ምስ ማርያም፣ ኣብ ናይ ክርስቶስ ወፈያን ልመናን ክትወሃሃድ ትርከብ።

---

[189] ቅ.እግናጽዮስ ዘኣንጾኪያ Ad Smyrn. 8፡1፣SCh 10, 138.
[190] መዓርግ ክህነት PO 2 § 4.

1371 ኣብ ናይ ክርስቶስ ብርሃንን ሰላምን ምእንቲ ኪኣትዉ፣ ምእንት'ቶም “ኣብ ክርስቶስ ዝዓረፉ፣ ግና ኸኣ ፈጺሞም ዘይነጽሑ”[191] ካብዚ ዓለም'ዚ ዝሓለፉ ምእመናን፡ መሥዋዕተ ቅዱስ ቍርባን (ቅዳሴ) ይውፈ እዩ። 958: 1689 1032

> ነዚ ሥጋ'ዚ ኣብ ዝኾነ (ዝደለኹምዎ) ኣንብርዎ። ብዛዕባኡ'ውን ብዙሕ ኣይትጨነቑ፤ ሓንቲ ነገር ጥራሕ ክልምነኩም፣ ኣብ ዘሎኹም ኣሊኹም፡ ኣብ'ታ ናይ ጐይታ መንበረ-ምሥዋዕ ጥራሕ ዘክሩኒ።[192]

> ድሕር'ዚ ድማ፣ እቲ ኪንገር ዘይከኣል ፈጺሙ ዓቢይ መሥዋዕቲ ኣብ ዘለዎ..... እዚ ምእንትኣቶም ዚውፈ መሥዋዕትን ጸሎትን ዓቢይ ረብሓ ከምዘለዎ ብምእማን፣ ኣብ'ቲ ኣኰቴተ ቍርባን ምእንት'ቶም ድሮ ዝዓረፉ ቅዱሳን ኣቦታትን ኣቡናትን፣ ብሓፈሻውን ምእንት'ቶም ቅድሚና ዝዓረፉ ንጸሊ። እቶም ዘዕረፉ፣ ኃጢኣት ገቢሮም እንተኾኑ'ውን ምእንትኣቶም ናብ ኣምላኽ ጸሎትን ልመናን ብምዕራግ፣... ምእንትኣቶምን ምእንቲ ርእስናን፣ ምእንቲ ኃጢኣት-ኵሎም ንዝተሠወአ ክርስቶስ ነቕርብ'ሞ፣ በዚ ኸኣ እቲ መፍቀር-ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ከም ዚርኅርኃሎምን ከምዚርኅርኃልናን ንገብር።[193]

1372 ኣብ ቅዳሴ ኣብ እነኽብሮ ናይ መድኃኒና መሥዋዕቲ ብዛዕባ ዘሎና፡ እናዓበየ ዚኸይድ ምልኣት-ተሳትፎ፡ ንዜረድኦ ትምህርቲ-እምነት፣ ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ብዜደንቕ ኣገባብ ኪገልጾ ይርከብ። 1140

> እዛ ናይ ቅዱሳን ጉባኤ ኅብረት ዝኾነት፡ ምሉእ ብምሉእ ድኅንቲ ከተማ፣ ሓፈሻውን ዅላውን መሥዋዕቲ ኮይና ናብ ኣምላኽ ተወፍያ እያ። ዘወፈያ ከኣ፣ ነኣና ናይ'ቲ ክቡር ርእሲ (ዋና) ኣካላት ኪገብረና፣ ኣብ ግዜ ሥቓያቱ ብመልክዕ ባርያ ርእሱ ምእንታና ዝሠወአ ሊቀካህን እዩ። ....ናይ ክርስትያን መሥዋዕቲ ከኣ ከምዚ እዩ፤ “ንሕና ብዙኃት ክነስና፣ ኣብ ክርስቶስ ሓደ ኣካል ኢና”። ነዚ መሥዋዕት'ዚ፡ ኣብ'ቲ ንምእመናን ኣዝዩ ፍሉጥን ርኡይን ዝኾነ፣ ከምኡ'ውን ንሳ ኣብ እተወፍዮ፣ ንርእሳ'ውን ከምትውፈ ዚርድኣሉ፡ ኣብ ምሥጢረ መንበረ-ታቦት ከምዚፈርን ከምዚፍልፍልን ምግባሩ፣ ቤተክርስትያን ወትሩ እትቕጽሎ እዩ።[194]

## ብኃይሊ ቃሉን ቅዱስ መንፈሱን ዚርከብ ህላዌ-ክርስቶስ

1373 “እቲ ኪኰንን ዚኽእልከ መን እዩ? እቲ ምእንታና ሞይቱ፣ ካብ ሙታን ተንሢኡ፣ ኣብ የማን-እግዚኣብሔር ተቐሚጡ ዚልምነልና ዘሎ ኢየሱስ ክርስቶስዶ ኣይኮነን?” ንሱ ብብዙሕ መንገዲ ኣብ ቤተክርስትያኑ ህልው እዩ፤[195] 1088

---

[191] ጉባኤ ትረንቶስ (1562)፡ DS 1743.
[192] ቅ.ሞኒካ before her death, to her sons, st.Augustine and his brother፣Conf. 9, 11, 27፡ PL 32, 775.
[193] ቅ.ቄርሎስ ዘኢየሩሳሌም, Catech. myst. 5, 9. 10፡ PG 33, 1116-1117.
[194] ቅ.ኣጎስጢኖስ De civ. Dei, 10, 6፡ PL 41, 283፣ሮሜ 12፡5 ረአ
[195] ሮሜ 8፡34፣ብር.ኣሕ. LG 48. ረአ

ብቓሉ፣ "ክልተ ወይ ሠለስተ ብስመይ ኣብ ዝተኣከቡሉ"[196] ብዚብሎ ጸሎት-ቤተክርስትያኑ፣ ኣብ ድኻታት፣ ሕሙማት፣ ሕቡሳት[197]፣ በቲ ንሱ ባዕሉ ዋናኡ ዝኾነ ምሥጢራት፣ ብመሥዋዕተ ቅዳሴን፡ ብኣካል'ቲ ልኡኽ (ኣገልጋሊ)፣ ኣውራ ግን "ኣብ'ቲ ብመልክዕ ኅብስቲ ዚፍተት ቅዱስ ቊርባን..... ብፍሉይ መንገዲ ህልው ኮይኑ ይርከብ።"[198]

**1374** ኣብ'ዚ ብመልክዕ ኅብስትን ወይንን፣ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ዘሎ
1211 ህልውና-ክርስቶስ ኣገባቡ ኣዝዩ ፍሉይን ኡንኮን እዩ። "ናይ መንፈሳዊ ሕይወት ፍጽምናን፣ ኲሎም ምሥጢራት ዘተኰሩሉ ዕላማን"[199] ከም ምዃኑ መጠን፣ ንቅዱስ ቊርባን ልዕሊ ኲሉ ምሥጢራት ጸብለል የብሎ። ኣብ'ዚ ፈጺሙ ቅዱስ ዝኾነ ምሥጢረ ቅዱስ ቊርባን፣ "እቲ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋኡን ደሙን፣ ምስታ ነፍሲ-መለኮቱ ሓቢሩ፣ ኣብኡ እቲ መላእ ክርስቶስ፡ ብሓቂ፡ ኣማናዊ፡ ኣካላዊ፡ ብዝኾነ ኣገባብ ከምዘሎ ይፍለጥ።"[200] እቲ ህላዌ "ኣማን" ኣማናዊ ዝተባህለሉ፣ እቲ ኻልእ ዓይነት ህላዌ ከምዘይህላዌ፣ ኣማናዊ (ሓቀይና) ከምዘይኮነ ንምምሳል ዘይኮነስ፣ ምሉእ ትርጓሜ ዝሓዘ ህላዌ ክንድዝኾነ እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ብኣካላዊ ህላዌኡ፣ እቲ ኣምላኽን ሰብን ዝኾነ ክርስቶስ ብምልኣትን ብዥለንትናን ርእሱ ስለዚገልጽ እዩ።[201]

**1375** ክርስቶስ ኣብ'ቲ ምሥጢር ህልው ኪኸውን፣ እቲ ኅብስትን ወይንን
1105 ናብ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ስለዚልወጥ እዩ። ብብቕዓት ቃላት-ክርስቶስን፣ ብስራሕ መንፈስ ቅዱስን፣ እዚ ምልዋጥ'ዚ ከምዚፍጸም ንዚገልጽ እምነት-ቤተክርስትያን ኣበው-ቤተክርስትያን ኣነጺሮም የረጋግጽዎ። ስለ'ዚ ኸኣ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ከምዚ ዚስዕብ ይብል፡-

1128 ነቲ ዝተወፈየ ነገራት ናብ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ከምዚልወጥ ዚገብሮ
298 ሰብ ዘይኮነስ፣ እቲ ምእንታና ዝተሰቕለ ክርስቶስ ባዕሉ እዩ። እቲ ናይ ክርስቶስ እጃም ዚፍጽም ካህን ነቲ ቓላት'ቲ የድምጾ፣ እቲ ኃይሉን ጸጋኡን ግን ናይ ኣምላኽ እዩ። "እዚ ሥጋይ እዩ" ይብል። እዚ ቓል'ዚ ንህላዌ'ቲ ዝተወፈየ ነገራት ይልውጦ።[202]

ብዛዕባ'ዚ ምልዋጥ'ዚ ቅዱስ ኣምብሮዝዮስ ዚብሎ ኣለዎ።

እዚ ነገር'ዚ ብባሕርያዊ ዝመጸ ዘይኮነስ፡ በቲ ቡራኬ ዝተቐደሰ ምዃኑ ተረዳእ። ኃይሊ ቡራኬ ነቲ ናይ ተፈጥሮ/ባሕርይ ዚሓልፎን ዚተዓጸጸፎን እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ በቲ ቡራኬ ፍጥረት፣ (ባሕርይ) ንርእሱ ይልወጥ እዩ..... ነቲ ኣብ ህላዌ ዘይነበረ ናብ ህላዌ ዜምጽእ ቃል-ክርስቶስ፣ ነቲ

---

[196] ማቴ 18፡20.
[197] ማቴ 25፡31-46 ረአ
[198] ቅዱስ ጉባኤ SC 7.
[199] ቅ.ቶማስ ኣኲናስ STh III, 73, 3c.
[200] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ DS 1651.
[201] ጳውሎስ 6ይ MF 39.
[202] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ prod. Jud. 1፡6፡ PG 49, 380.

> ድሮ ህልው ነገራት፡ ናብ'ቲ ቅድም ዘይኮኖ ኪልውጦ ኣይክእልንዶ ክትብል ኢኻ? ንሓደ ሓዲስ ፍጥረት ህላዌ ካብ ምሃብ፣ ንባሕሪኡ ምልዋጥ ዝዓበየ ተግባር'ዩ ኪበሃል ኣይከኣልን።[203]

**1376** ጉባኤ ትረንቶስ፡ በዚ ዚስዕብ ኣዋጅ ነቲ ካቶሊካዊ እምነት ይገልጾ፣ "እቲ ብመልክዕ-ኅብስቲ ዘወፈዮ፡ በሓቂ ሥጋኡ ምዃኑ ባዕሉ ክርስቶስ መድኃኒና ስለዝነገረና፤ ኣብ'ቲ ናይ ኅብስትን ወይንን ተቀድሶት፣ ናይ'ቲ መላእ ህላዌ-ኅብስት ናብ ህላዌ-ሥጋ-ክርስቶስ ጐይታና፣ እቲ መላእ ህላዌ-ወይኒ እውን ናብ ናይ ደሙ ህላዌ ከምዚልወጥ፣ ናይ'ዛ ቤተክርስትያን-ኣምላኽ ናይ ወትሩ እምነታ ኮይኑ ጸኒሑ። ሕጂ'ውን እዚ ቅዱስ ጉባኤ ደጊሙ ይእውጅ ኣሎ። ነዚ ምልዋጥ'ዚ ቅድስት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ከምቲ ግቡኡ ተዋልጦተ-ህላዌ (transubstantiation) ቢላ ትጽውዖ።[204]

**1377** ናይ ቅዱስ ቍርባን ህላዌ-ክርስቶስ፣ ኣብቲ ግዜ-ቀድሶት/ወልጦት ይጅምር፣ እቲ ናይ ቅዱስ ቍርባን (ዓይነት) መልክዕ ኅብስትን ወይንን ክሳብ ዘሎ ከኣ ይጸንሕ። ኣብ ነፍስወከፍ ዝተቐደሰ ኅብስትን ወይንን ምሉእን ፍጹምን ህላዌ-ክርስቶስ ንረክብ፣ ኣብ ኵሉ ቃላቱ እውን እንተኾነ፡ ህላዌ-ክርስቶስ ምሉእን ፍጹምን እዩ። በዚ ዓይነት'ዚ ድማ ናይ'ቲ ኅብስቲ (እንጌራ) ምቍርራስ ንክርስቶስ ኣይመቃቐሎን እዩ።[205]

**1378** *ኣምልኾት ቅዱስ ቍርባን።* ኣብ'ቲ ብመልክዕ ኅብስትን ወይንን 1178
ዚግለጽ ቅዱስ ቍርባን፣ ኣማናዊ ህላዌ-ክርስቶስ ከምንኣምን ዚገልጽ ኣብ ናይ 103
ቅዳሴ ግብረ-ኣምልኾ ዚፍጸም በብዓይነቱ ኣገባባት ኣሎና። ካብ'ቲ ገሊኡ እቲ 2628
ንጐይታ ዘሎና ኣምልኾ ብስግደት ንምፍጻም እንገብሮ ምንብርካኽ ወይ ከኣ ርእሰኻ ኣድኒንካ ምስጋድ እዩ። ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ናብ ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን እተቕርቦ ናይ ኣምልኾ ስግደት ወትሩ ዘዘውተረቶ፡ ጋና'ውን እተዘውትሮ እዩ። እዚ ኸኣ ኣብ ግዜ መሥዋዕተ-ቅዳሴ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብኡ ወጻኢ'ውን ዝተቐደሰ (ዝተለወጠ) ኅብስተ-ቍርባን ብዚግባእ ጥንቃቐ ብምዕቃር፣ ምእመናን ዓጀብ ዝመልኦ ስግደትን ኣኽብሮትን ብዜቕርቡሉ ኣገባብ ኣማዕሪግካን፣ ብናይ ዑደት መልክዕ ብዚፍጸም ክብርን ፍቕርን እናገለጽካን ዚፍጸም እዩ።[206]

**1379** *መንበረ ታቦት (መንበረ ቅዱስ ቍርባን)* ብጥንቱ ዝተመደበ፡ ንቕዱስ 1183
ቍርባን ኣብ ብቑዕ ቦታ ብምዕቃርን፣ ኣብ መሥዋዕተ-ቅዳሴ ዘይተሳተፉ 2691
ሕሙማንን፡ካልኦት ከርክቡ ዘይከኣሉን፡ ካብ ቅዳሴ ወጻኢ ከተቕርቦም ንኺከኣል ተባሂሉ እዩ። እንተኾነ ናይ ክርስቶስ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ኣማናዊ ምህላው፡ ኣብ

---

[203] ቅ.ኣምብሮዝዩስ De myst. 9, 50፣52፡ PL 16, 405-407.
[204] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ DS 1642፣ማቴ 26፡26 --.፣ማር 14፡22 ፣ሉቃ 22፡19 ff.;1 ቆሮ 11፡24 ff
[205] ጉባኤ ትረንቶስ፡ DS 1641 ረኣ
[206] ጳውሎስ 6ይ MF 56.

ናይ ቤተክርስትያን እምነት ኣዝዩ እናዓመቜ ብዝኸደ መጠን፣ ነቲ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ህልው ዝኾነ ጐይታ ዚቐርብ ጽሙና ዝዓዘዞ ስግደትን ኣምልኾትን ትርጕሙን ኣገዳስነቱን ኣብ ቤተክርስትያን ኣዝዩ እናማዕበለ መጺኡ። በዚ ምኽንያት'ዚ ኸኣ ኣብ ቤተክርስትያን፣ መንበረ ታቦት (መንበረ ቅዱስ ቍርባን) ነኣኡ ኣብ ዚበቅዕ ቦታ ኪኸውን፣ ኣተሓናንጻኡን ኣቀማምጣኡን እውን እንተኾነ ንናይ ክርስቶስ ህላዌ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ዚገልጽን ኣጸቢቑ ዜረጋግጽን ኣገባብ ዝተኸተለ ኪኸውን ይግባእ።

**1380** ክርስቶስ ብኸም'ዚ ፍሉይ ዓይነት'ዚ ኣብ ቤተክርስትያኑ ህልው
669 ኪኸውን ምድላዩ በሓቂ ግቡእን ብቑዕን እዩ። ክርስቶስ ብግዙፍ መልክዕ ካብ'ቶም
478 ናቱ (ሓዋርያት) ዚፍለየሉ እዋን ምስበጽሐ፣ ምሥጢራዊ ህላዌኡ ኪህበና ደለየ፤ ምእንቲ ከድኅነና ርእሱ ኣብ መስቀል ከወፊ ስለዝነበሮ ከኣ፣ ናይ'ቲ ክሳብ መወዳእታ ዘፍቀረና ፍቕሩ[207]፣ ሕይወቱ ክሳብ ምሃብ ናይ ዝበጽሐ ፍቕሩ ዝኸሪ ኪህልወና በሃገ። በዚ ናይ ቅዱስ ቍርባን ህላዌኡ እምበኣር፣ መጠን ዘፍቀረናን፣ ሕይወቱ ዘወፈየልናን ኣብ መንጎና ብምሥጢራዊ ኣገባብ ይነብርን ይህሉን።[208] ነዚ ፍቕሩ ብዚገልጽን ዜረጋግጽን ምልክታት ገቢሩ ህላዌኡ ይቕጽል፡

2715 ንቤተክርስትያን ኮነ ንዓለም ብመላኡ፡ ኣምልኾት ቅዱስ ቍርባን ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። ኣብ'ዚ ናይ ፍቕሪ ምሥጢር'ዚ ኢየሱስ ይጽበየና ኣሎ። ብስግደት ንክንራኸቦን፣ እምነት ብዝመልአ ሰቂለ-ኅሊና ንኽንቀርቦ፣ ኣብ ዓለም ምእንቲ ዚፍጸም ዓበይቲ በደላትን ገበናትን ንኺክሓስ ናብኡ ንምኻድ ዘኽእለና ግዜ ኣይንንፈገሉ። ስግደትና ከምዘየቋርጽ ይኹን።[209]

**1381** ኣብ'ዚ ምሥጢር'ዚ ኡነተይና ሥጋ-ክርስቶስን ኡነተይና ደሙን ህልው
156 ምዃኑ "በዚ ግዙፍ ሕዋሳትና ዚብጻሕ ኣይኮነን" ይብል ቅዱስ ቶማስ፤ ቀጺሉ
215 ድማ "ኣብ መለኮታዊ ክእለት ብዚጽጋዕ እምነት ጥራሕ'ዩ ዚብጻሕ" ይብል። በዚ ምኽንያት'ዚ ኣብ'ቲ ናይ ወንጌል ሉቃስ 22፡19 ("እዚ ምእንታኻትኩም ዚውፈ ሥጋይ እዩ") ድርሳኑ፣ ቅዱስ ቄርሎስ ከምዚ ዚስዕብ ይብል፡ "ንሱ ሓቂ ብቐንዳ ስለዝኾነ ኪሕሱ ዘይኽእል እዩ'ሞ፣ ንቓላት-መድኃኒ (ዓለም) ብእምነት ደኣ ተቐበሉ'ምበር፣ ሓቂ ምዃኑን ዘይምዃኑን ኣይትጠራጠሩ"።[210]

ኣብ'ዚ ተሠዊርካ፣
በዚ ትርኢት'ዚ ተኸዊልካ፡ ዘሎኻ
ኣኣምላኽ ብመንፈሳውነት
እሰግደልካ (ኣምልኸካ) ኣሎኹ።

[207] ዮሓ 13፡1.
[208] ገላ 2፡20 ረአ
[209] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ Dominicae cenae, 3
[210] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh III, 75, 1፣ጳውሎስ 6ይ MF 18፣St. Cyril of Alexandria, In Luc. 22, 19፡ PG 72, 912፣ጳውሎስ 6ይ MF 18.

ተኵሩ ኪጥምተካ (ክስተንትነካ) ብዘይምኽኣሉ፡
ልበይ ብኵለንትናኡ ነኣኻ ይግዛእ።
ምርኣይን ምድህሳስን ምጥዓምን ኣባኻ መስሓቲ እዩ፣
ንቓል (-ኣምላኽ) ምስማዕ ጥራሕ'ዩ ብርግጽነት ዚእመን።
ወልደ-እግዚኣብሔር ንዝበሎ ጥራሕ ሓቂ ምዃኑ እቕበል፣
ሓቂ ብርእሳ ዝኾነ ሓቂ ይዛረብ፣ ካብኡ ዝተረፈ ካልእ ሓቂ የልቦን።[211]

## VI. ፋሲካዊ መኣዲ

**1382** *መሥዋዕተ ቅዳሴ ኪበሃል ከሎ፣ መሥዋዕቲ-መስቀል ንዜሓድስ* 950
*መሥዋዕቲ-ዝኽሪ ኮነ፣ ኣብ ናይ ጐይታ ሥጋኡን ደሙን እንሳተፎ ቅዱስ መኣዲ ቊርባን፣ንኽልቲኡ ከይነጻጸለ ብሓንሳብ ዜቕርብ እዩ። እንተኾነ እቲ መሥዋዕቲ ቅዱስ ቊርባን ኪሥራዕ ከሎ፣ ናብ'ቲ ብሱታፌ ቅዱስ ቊርባን ዚርከብ ናይ ምእመናን፣ ኣብ ክርስቶስ ውሽጣዊ ምውህሃድ ዘተኰረ እዩ። ቅዱስ ቊርባን ምቕባል ማለት፣ ርእሱ ምእንታና ንዘወፈየ ክርስቶስ ብቐንዱ ምቕባል ማለት እዩ።*

**1383** *መሥዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ዚሥረዓሉ ግዜ ቤተክርስትያን ኣብ ዙርያኡ* 1182
*ከቢባ እትርከበሉ፡ መንበረ-ምሥዋ (መንበረ-ታቦት)፣ ናይ'ቲ ኡንኮ ምሥጢር ክልተ ገጻት ዜርኢ እዩ፤ ማለት መንበረ-መሥዋዕትን፡ ናይ ጎይታ መኣድን እዩ። እዚ ኸኣ፡ እቲ ናይ ክርስትና ታቦተ-ምሥዋዕ ናይ ክርስቶስ ብቐንዱ ኣምሳል ብምዃኑ እዩ። እዚ ክርስቶስ ድማ ምእንቲ ከተዓርቕና ርእሱ ከምዘወፈ መሥዋዕቲ ይኹን፣ ርእሱ ነኣና ከምዘወፈ ናይ ሰማይ መግቢ፣ ብመንፅር ክልቲኡ ኣብ መንጎ ጉባኤ-ምእመናኑ ህልው ኮይኑ ይርከብ። "እቲ ናይ ክርስትያን መንበረ ምሥዋዕሲ ናይ'ቲ ኣካል-ክርስቶስ ሥእሊ እንተዘይኮይኑ ካልእ እንታይ ኪኸውን ይኽእል?"[212] ኪብል ቅዱስ ኣምብሮዝዮስ የሓትት። ኣብ ካልእ ወገን'ውን "እቲ መንበረ-ምሥዋዕ (ታቦት) ንኣካል (-ክርስቶስ) የመልክት፤ እቲ ናይ ክርስቶስ ኣካል ድማ ኣብ'ቲ (ታቦት) ምሥዋዕ እዩ ዘሎ"[213] ይብል። ሥርዓተ-ኣምልኾ ከኣ ነዚ ኣብ መንጎ መሥዋዕትን፡ ሱታፌ ቅዱስ ቊርባንን ዘሎ ሓድነት ኪገልጽ ይርከብ። ምእንት'ዚ ሮማዊት ቤተክርስትያን ኣብ'ቲ ኣኰቴተ-ቊርባና ከምዚ ዚስዕብ ትጽሊ፡-*

ኦ ከሃሌኵሉ ኣምላኽ!

*ኣብ'ዚ ታቦተ-ምሥዋዕ'ዚ ነቲ ናይ ወድኻ ቅዱስ ሥጋኡን ደሙን እንክንቅበል፣ ብኹሉ ሰማያዊ በረኸትን ጸጋን ምእንቲ ክንምላእ፤*

---

[211] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ (attr.) Adoro te devote፣tr. Gerard Manley Hopkins.
[212] ቅ.ኣምብሮዝዩስ De Sacr. 5, 2, 7፡ PL 16, 447C.
[213] ቅ.ኣምብሮዝዩስ De Sacr. 4, 2, 7፡ PL 16, 437D.

*እዚ መሥዋዕት'ዚ፡ ብኢድ ቅዱስ መልኣኽካ ናብ'ቲ ኣብ ቅድሚ ግርማ-መለኮትካ ዘሎ ሰማያዊ ምሥዋዕ ከምዚቕርብ ክትገብሮ ንልምነካ ኣሎና።*[214]

## ምቕባል ቅዱስ ቊርባን፦"እንኩ ኵልኻትኩም ብልዑ"

**1384** "በሓቂ በሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ሥጋ ወድሰብ እንተዘይበላዕኩም
2835 ደሙ'ውን እንተዘይሰተኹም ሕይወት የብልኩምን"[215]፣ኢሉ ጐይታ ኣብ ምሥጢረ
ቅዱስ ቊርባን ንኽንቅበሎ እናበራትዐ፣ ብናይ መጸዋዕታ ቃሉ ይዕድመና።

**1385** ነዚ ዕድመ'ዚ ብዚግባእ ንኽንምልሸሉ፣ ንክንድ'ዚ ዚኣክል ቅዱስ
1457 እዋንን ኵነታትን እንበቅዕ ገቢርና ርእስና ክነሰናዱ ይግባእ። ቅዱስ ጳውሎስ'ውን
ኅሊናና ክንምርምር የተሓሳስበና፡ "እምበኣርከስ፣ እቲ ዘይግበኦ እንክሎ፡ ነቲ ናይ
ጐይታና እንጌራ ዚበልዕ፣ ነቲ ጽዋዕ'ውን ዚሰቲ ኵሉ፣ ኣብ ልዕሊ ናይ ጐይታና
ሥጋን ደምን ይብድል፤ ስለ'ዚ ነፍሲወከፍኩም ንነፍሱ መርሚሩ፣ ካብ'ዚ
እንጌራ'ዚ ይብላዕ፤ ካብ'ዚ ጽዋዕ'ዚ እውን ይስተ። ከመይሲ እቲ ናይ ጐይታና
ሥጋን ደምን ምዃኑ ከይፈለየ ዚበልዕን ዚሰትን፡ ኵነኔኡ እዩ ዚበልዕን
ዚሰትን"።[216] ስለ'ዚ ዓቢይ ኃጢኣት ከምዝገበረ ዝተፈለጠ ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ኣብ
ቅዱስ ቊርባን ቅድሚ ምስታፉ ምሥጢረ ንስሓ ኪፍጽም ይግበኦ።

**1386** ኣብ ቅድሚ ክንድ'ዚ ዚዓቢ ምሥጢር እቲ ምእመን ብትሕትና
ተደፊኡ፣ ብምዉቕ እምነት ተመሊኡ፡ ነተን ቃላት ሓለቓ-ሚእቲ ጥራሕ'ዩ
ኪደግም ዚኽእል፦ "ኦ! ጐይታ ናብ ትሕቲ ናሕሲ-ቤተይ ክትኣቱ ዚግበኣኒ
ኣይኮንኩን፤ ሓንቲ ቓል ጥራሕ ተናገር፣ ነፍሰይ ድማ ክትፍወስ እያ"[217]።
ኣብ'ቲ ናይ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ኣኰቴተ-ቍርባን (ቅዳሴ') ከኣ እቶም
ምእመናን በዚ መንፈስ'ዚ ኪጽልዩ ይርከቡ።

732 *ኦ ወልደ-እግዚኣብሔር! ሎሚ ኣብ'ዚ ምሥጢራዊ መኣድኻ (ድራር) ከምዝሳተፍ ግበረኒ። ነዚ ኅቡእ ምሥጢር'ዚ ንጸላእትኻ ኣይክነግርን፣ ብናይ ይሁዳ ስዕመት'ውን ኣይክስዕመካን'የ። የግዳ ከምቲ ኣብ የማንካ ዝተሰቕለ ሰራቒ "ኦ ኢየሱስ ኣብ መንግሥትኻ ተዘከረኒ" እብለካ ኣሎኹ።*

**1387** ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ግቡእን ብቑዕን ዝኾነ ምቕባል (ሱታፌ) ምእንቲ
2043 ኪፍጸም፣ ምእመናን ነቲ ብቤተክርስትያኖም ዝተሓገገ ጾም ኪሕልዉ ይግባእ።[218]
ክርስቶስ ጋሻ ኮይኑ ብዚመጽኣሉ እዋን እምበኣር፣ ኩሉ ርኡይ ኣተናን ኣቀራርባን

---

[214] *ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ* EP I (Roman Canon) 96፡ Supplices te rogamus, omnipotens Deus፡ iube hæc perferri per manus sancti Angeli tui in sublime altare tuum, in conspectus divinae maiestatis tuae፡ ut, quotquot ex hac altaris participatione sacrosanctum Filii corpus et Sanguinem sumpserimus, omni benedictione cælesti et gratia repleamur.

[215] *ዮሓ* 6፡53.

[216] 1 *ቆሮ* 11፡27-29.

[217] *ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ ሥርዓተ ዕርገተ ቍርባን፣ማቴ* 8፡8 *ረኣ*

[218] *ሕገቀኖና፣ቀ.* 919 *ረኣ*

(ኣገባብ ኣቀዋውማን-ኣከዳድናን) ነቲ ኵነታት ዚሰማማዕ ክብርን ዓዠብን ሕጉስ መንፈስን ኪህልዎ የድሊ።

**1388** ዜድሊ ኣቀራርባ (ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን) ዝፈጸሙ ምእመናን፣ (CIC, Can.916) ኣብ መሥዋዕተ-ቅዳሴ እንኪሳተፉ፣ ቅዱስ ቍርባን ኪቕበሉ ከለዉ፡ ምስ'ቲ ቀንዲ ናይ ቅዱስ ቍርባን ምሥጢሩን እንታይነቱን ዚሰማማዕ እዩ።[219] ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ'ውን "ካህን ድሕሪ ቈሪቡ፣ ምእመናን ድማ ኣብ'ቲ መሥዋዕት'ቲ ናይ ጐይታ ሥጋኡ ዚቕበልሉ፡ ዝበለጸ ኣገባብ-ሱታፌ ኪህሉ፣ ብዚግባእ ኪተባባዕ ዘለዎ እዩ" ይብል።[220]

**1389** ምእመናን፣ ኣብ ናይ ሰናብትን ዕለተ-በዓላትን መሥዋዕተ-ቅዳሴ ኪሳተፉ፣ ብምሥጢረ ንስሓ ተሰናድዮም'ውን፣ እንተወሓደ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ፣ እንተተኻኢሉ ከኣ ኣብ ዘመነ ፋሲካ ቅዱስ ቍርባን ኪቕበሉ፣ ቤተ ክርስትያን ተገድዶም እያ።[221] ብሰናብትን ዕለተ-በዓላትን ዕለተ-ዕለት እውን ከይተረፈ ንቅዱስ ቍርባን ኪቕበልዎ ቤተክርስትያን ንምእመናን ኣበርቲዓ እተማሕጽኖን እተተባብዖን እዩ። 2042 2837

**1390** ክርስቶስ ብምሥጢራዊ ኣገባብ፡ ኣብ ነፍስወከፍ መልክዕ ኅብስትን ወይንን ህልው ብምዃኑ፣ ካብ'ቲ ሥጋኡ (ኅብስት) ጥራሕ ብምቍራብ ነቲ ኹሉ ናይ ጸጋ ቅዱስ ቍርባን ፍረ ክትቕበሎ ይከኣል። ብሓዋርያዊ (ጉስነታውን) ምኽንያት ዚኣክል፡ እዚ ዝዓይነቱ ኣቀባብላ ቅዱስ ቍርባን፣ ኣብ ሥርዓት-ላቲን ኣዝዩ ልሙድ ኮይኑ ብዚግባእ ኪዝውተር ጸኒሑ ኣሎ። እንተኾነ ግን ብኽልቲኡ መልክዕ እንኪወሃብ፣ "ብኽልቲኡ መልክዕ ማለት ሥጋኡን ደሙን ኪወሃብ ከሎ፣ እቲ ናይ መኣዲ ቍርባን ምልክት ኣጸቢቑ ስለዚንጸር፣ በዚ መልክዕ'ዚ እቲ ናይ ሱታፌ ቅዱስ ቍርባን ምልክት ብዝበለጸ ምሉእ ይኸውን"[222] እዚ ኸኣ እቲ ኣብ ምሥራቓዊ ሥርዓታት ኣምልኾ ኣዝዩ ዝውቱር ኣገባብ እዩ።

## ናይ ሱታፌ ቅዱስ ቍርባን ፍረ

**1391** ቅዱስ ቍርባን ምቕባል ነቲ ምስ ክርስቶስ ዘሎና ሓድነት የደልድሎ። ቅዱስ ቍርባን ብምቕባል እንጭብጦ ቐንዲ ፍረ፡ እቲ ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ዚህልወና ዓሚቕ ምውህሃድ እዩ። ብሓቂ'ውን ጐይታ "ሥጋይ ዚበልዕ ደመይ'ውን ዚሰቲ ኣባይ ይነብር፡ ኣነ ድማ ኣብኡ"[223] ይብለና። እቲ ኣብ ክርስቶስ እንረኽቦ ሕይወት መሠረቱ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን እዩ፤ "ሕያው ኣቦ 460 521

---

[219] ሕገቀኖና፣ቀ. 917፣ ምእመናን ኣብ ሓደ መዓልቲ ክልተ ግዜ ጥራሕ ኪቈርቡ ይኽእሉ። AAS 76 (1984) 746-747 ረአ

[220] ቅዱስ ጉባኤ SC 55

[221] ምሥራቓውያን ኣብያተክርስትያን OE 15፣ሕገቀኖና፣ቀ. 920. ረአ

[222] GIRM 240.

[223] ዮሓ 6፡56.

ከምዝለኣኸኒ፡ ኣነ'ውን ብኣቦ ሕያው ከምዝኾንኩ፣ ከምኡ ድማ እቲ ዚምገበኒ በኣይ ሕያው ኪኸውን እዩ"።[224]

ብበዓለ እግዚእ (በዓለ ወልድ)፣ ምእመናን ሥጋ ወልደ-እግዚኣብሔር ኪቕበሉ ከለዉ፣ ልክዕ ከምቲ መልኣኽ ንማርያም መግደላዊት "ክርስቶስ ተንሢኡ እዩ" ዝበላ፣ ከምኡ እቲ ናይ ዘለዓለማዊት ሕይወት በኹሪ-ፍርያት ከምዝተዋህበ ዚነግር ጥዑም ወረ ንሓድሕዶም ይነጋገሩ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ነቶም ንክርስቶስ ዚቕበሉ ሕይወትን ትንሣኤን ይወሃቦም ኣሎ።[225]

**1392** ግዙፍ ምግቢ፡ ኣብ'ቲ ሥጋዊ ግዙፍ ሕይወትና ከምዘፍርዮ ኹሉ፣
1212 ሱታፌ ቅዱስ ቍርባን ድማ ንመንፈሳዊ ሕይወትና ልክዕ ከምኡ ዘደንቕ ፍርያት
1524 ይህቦ። ናይ'ቲ ዝተንሥአ ክርስቶስ ሥጋኡ፣ ማለት "ብመንፈስ ቅዱስ ሕይወት ዝለበሰን፡ ሕይወት ዜልብስን" ሥጋ[226] ብምቕባል፤ ነቲ ኣብ ጥምቀት ዝተቐበልካዮ ሕይወት-ጸጋ ክትስዕቦ፣ ከተማዕብሎ፡ ከተሓድሶ ትርከብ። እዚ ኣብ ሕይወት-ክርስትና ምዕባይ ናይ ቅዱስ ቍርባን ምምጋብ የድልዮ እዩ። እዚ ቅዱስ ቍርባን'ዚ፣ ስንቂ ኮይኑ ዚወሃበሉ ክሳብ'ቲ ግዜ ሞትና፡ ኣብ እንገብሮ ምድራዊ ጉዕዞ ወትሩ ዚወሃበና መግቢ እዩ።

**1393** ሱታፌ ቅዱስ ቍርባን ካብ ኃጢኣት ይፈልየና። እቲ ኣብ ቅዱስ
613 ቍርባን እንቕበሎ ሥጋ-ክርስቶስ፡ "እቲ ምእንታና ዝተወፈየ" እዩ፤ እቲ እንሰትዮ ደሙ ድማ፡ "ምእንቲ ብዙኃት ንኅድገት-ኃጢኣት ዝፈሰሰ" እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ ቅዱስ ቍርባን ኣቐዲሙ ካብ ዝሓለፈ ኃጢኣትና ከየንጸሐን፣ ካብ ዚመጽእ'ውን ከይሓለወን ኣይኮነን ምስ ክርስቶስ ከወሃህደና ዚርከብ፡-

ነዚ እንጌራ'ዚ (ኅብስቲ) ኣብ ዝበላዕናሉን፣ ካብ'ዚ ጽዋዕ'ዚ ኣብ ዝሰተናሉን ኵሉ ሞት-ጐይታ ኢና እንነግር፤ ናይ ጐይታና ሞቱ እንክንነግር ድማ ኅድገት-ኃጢኣት ኢና እነበሥር። ደሙ ኣብ ዝፈሰሰሉ ኹሉ፣ ንኅድገት-ኃጢኣት ዚፈስስ ካብ ኮነ፣ ወትሩ ኃጢኣተይ ምእንቲ ኪኅደገለይ፣ ወትሩ ክቕበሎ የድልየኒ ማለት እዩ። ወትሩ ስለዝኃጥእ ድማ፡ ወትሩ መድኃኒት ከድልየኒ እዩ።[227]

**1394** ንግዙፍ ሥጋ እንህቦ መግቢ ንዝጠፍአ ኃይሊ ከምዚመልስ፣ ከምኡ
1863 ሱታፌ ቅዱስ ቀርባን ነቲ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ኪዳኸም ዝንባሌኡ ዝኾነ
1436 ፍቕሪ የበርትዮ፤ እዚ ሕያውን ግብራውን ዝኾነ ፍቕሪ (ግብረ-ሠናይ)፡ ንናእሽቱ ኃጢኣት ኪድምስስ ይርከብ።[228] ክርስቶስ፡ ርእሱ ምእንታና ብምውፋይ፣ ነታ ኣባና ዘላ ፍቕሪ የንቀሳቕሳ፡ ሕይወት ይህባ፣ በዚ ኸኣ ነቲ ኣባና ሓዲሉ ዚርከብ

---

[224] ዮሓ 6፡57.
[225] Fanqîth, Syriac Office of Antioch, Vol. I, Commun., 237 a-b.
[226] መዓርግ ክህነት PO 5
[227] ቅ.ኣምብሮዝዩስ De Sacr. 4, 6, 28፡ PL 16, 446፣1 ቆሮ 11፡26 ረአ
[228] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ DS 1638 ረአ.

*ዘይሥሩዕ ፍቕሪ-ፍጡር ነገራት ብምብታኽ፡ ሕይወትና ኣብኡ (ኣብ ክርስቶስ) ከምትሥረት ንኽንገብር የኽእለና፡-*

> *ክርስቶስ ምእንታና ዝሞተ ሳላ ፍቕሪ ስለዝኾነ፣ ኣብ'ቲ እዋን-መሥዋዕቲ ነዚ ዝኽሪ-ሞቱ እንከነኽብር፣ እታ ፍቕር'ቲኣ ብርደተ-መንፈስ ቅዱስ ክትወሃበና ክንምህለል ንርከብ። ምእንታና ንኺመውት ንክርስቶስ ዝደረኸ፡ ናይ'ዛ ፍቕር'ዚኣ ኃይሊ፡ ጨቢጥና፣ ናይ መንፈስ ቅዱስ ህያባት ብምቕባል፣ ዓለም ነኣና ስቑል፣ ንሕና'ውን ከምኡ ንዓለም ስቑላት ምዃንና ምእንቲ ክንግንዘብ... ብትሕትና ንጽሊ። ነዚ ናይ ፍቕሪ ህያብ ካብ ተቐቢልና እምበኣር፣ ነዛ ሕይወትና ንኃጢኣት ዝሞተት፣ ብእግዚኣብሔር ድማ እትነብር ሕይወት ንግበራ።[229]*

**1395** በቲ ኣብ ውሽጥና ዘባርያ ናይ ፍቅሩ እሳት ገቢሩ፡ ቅዱስ ቍርባን፣ 1855
ካብ'ቲ ዚመጽእ ዓበይቲ ኃጢኣት ይሕልወና። ኣብ ሕይወት-ክርስቶስ ከም 1446
ዝተሳተፍናን፡ ኣብ ፍቕሩ ከምዝሰጐምናን መጠን ድማ፣ መጠኑ ብዓቢይ ኃጢኣት ካብኡ ምፍላይ ዳርጋ ጽጉም ይኸውን። ሱታፌ ቅዱስ ቍርባን ንኀድገት-ዓቢይ ኃጢኣት ዝተመደበ ኣይኮነን፤ እዝስ ንምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን ዚርኢ እዩ። ቅዱስ ቍርባን ናይ'ቶም ምስ ቤተክርስትያን ኣብ ምሉእ ሱታፌ ዘለዉ ምሥጢር እዩ።

**1396** *ናይ'ቲ ምሥጢራዊ ኣካል ሓድነት።* ንቤተክርስትያን ዘቕውማ 1118
(ቤተክርስትያን ዚገብራ) ቅዱስ ቍርባን እዩ። እቶም ኣብ ቅዱስ ቍርባን 1267
ዚሳተፉ ምስ ክርስቶስ ኣዝዩ ጥቡቕ ዝኾነ ሓድነት ይተኽሉ። በኣኡ ኣቢሉ ድማ 790
ክርስቶስ ምስ ኵሎም ምእመናን፣ ምስ ቤተክርስትያን የወሃህዶም። ድሮ ብጥምቀት ንዝተረኽበ ምስ ቤተክርስትያን ምውህሃድ፡ እዚ ሱታፌ ቅዱስ ቍርባን ከሓድሶ፣ ከበርትዮ፡ ኣጸቢቑ ከዕምቖ ይርከብ። ኣብ ጥምቀት፡ ሓደ ኣካል ክነቕውም ተጸዊዕና ኢና፤[230] ቅዱስ ቍርባን ነዚ መጸዋዕታ'ዚ ኣብ ግብሪ የውዕል። "እታ እንባርኻ ናይ በረኸት ጽዋዕ ምስ ደም-ክርስቶስ ሓንቲዶ ኣይኮነትን እያ" እቲ እንባርኾ እንጌራ'ኸ (ኅብስቲ) ምስ *ሥጋ*-ክርስቶስ ሓደዶ ኣይኮነን? ንሕና ኵላትና ካብ ሓንቲ እንጌራ ስለእንሳተፍ ብዙኃት ክንስና ሓደ *ሥጋ* ኢና። ከመይ እታ እንካፈላ እንጌራ ሓንቲ እያ።[231]

> *ንስኻትኩም ናይ ክርስቶስ ኣካልን ኣባላቱን እንተደኣ ኮይንኩም፣ እዚ ኣብ መኣዲ ጐይታ ተነቢሩ ዘሎ ምሥጢር፣ ናትኩም ምሥጢር ማለት እዩ፣* 1064
> *እቲ እትቕበልዎ ናትኩም ምሥጢር እዩ። ነቲ ዝኾንኩምዎ ድማ "ኣሜን" ("እወ! ሓቂ እዩ") ክትብሉ ትምልሹሉ፤ በዚ ምላሽ'ዚ ከኣ ነኣኡ ተገዛእነትኩም ተረጋግጹ። ከመይሲ "ሥጋ-ክርስቶስ" ዚብል ቃላት ምስ*

[229] *ቅ.ፉልጆንሲዮስ ዘ-ሩስፐ* Contra Fab. 28, 16-19፡ CCL 19A, 813-814.
[230] 1 *ቆሮ* 12፡13 *ረአ*
[231] 1 *ቆሮ* 10፡16-17.

ሰማዕኩም "ኣሜን" ክትብሉ ትምልሹ። እዚ "ኣሜን" ዝበልኩምዎ ሓቂ ምእንቲ ኪኸውን ድማ፡ ናይ ኣካል-ክርስቶስ ኣባላት ኩኑ።[232]

**1397** ቅዱስ ቍርባን ንድኻታት ከምንሓስብ ይገብረና። ምእንታና
2449 ንዝተወፈየ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ከምቲ ሓቁ ንኽንቅበሎ፡ ንክርስቶስ ኣብ'ቶም ኣኅዋቱ ዝኾኑ ድኻታት ክንርእዮን ክነለልዮን ይግባእ፡-

> ናይ ጐይታ ደሙ ጥዒምካ ከሎኻስ፡ ጋና ንኃውካ ከተለሊ ኣይከኣልካን .....ኣብ'ዚ መኣድ'ዚ ኪሳተፍ ብቕዓት ንዘለዎ ሰብ ኣብ'ዚ መግብ'ኻ ኪሳተፍ ዘይበቕዕ ገቢርካ ስለዝገመትካዮ፣ ነዚ መኣዲ (ቍርባን) ከተዋርዶ ትርከብ ኣሎኻ ....እግዚኣብሔር ካብ ኩሉ ኃጢኣትካ ሓራ ኣውጺኡ ናብ'ዚ ዓዲሙካ ከብቅዕ፣ ንስኻ ግን ሕልፈ መሓሪ ክትከውን ኣይተረኸብካን።[233]

**1398** *ቅዱስ ቍርባንን ሓድነት ክርስትያንን።* ብመንፅር'ዚ ልዑል ምሥጢር'ዚ
817 ቅዱስ ኣጐስጢኖስ፣ "ኦ ናይ መንፈሳውነት ጥልቂ ምሥጢር! ኦ ትእምርተ-ሓድነት! ኦ ናይ ፍቕሪ ማእሰር" ብምባል ይድነቕ።[234] እቲ ኣብ ቤተክርስትያን ዘጋጥም ናይ ምክፍፋል ሃለዋት ኣዝዩ ዜሣቒ ብዝኾነሉ መጠን፣ ኣብ መኣዲ-ጐይታ ንዚግበር ናይ ኃባር ሱታፌ ዚዕንቅጽ ብምዄኑ፣ ኣብ ኵሎም'ቶም ኣብኡ ዚኣምኑ፣ እቲ ዝጠፍአ ሓድነት ዚምለሰሉ እዋን ንኺቀላጠፍ፣ ናብ ጐይታ እነዕርጎ ጸሎታትና ህጹጽን ኣዝዩ ኣገዳስን እዩ።

**1399** ምስ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ምሉእ ሱታፌ-ኅብረት ኣብ ዘይብለን
838 ናይ ምሥራቕ ኣብያተክርስትያን'ውን፣ ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን ብዓቢ ይ ፍቕርን መንፈሳውነትን ኪሥራዕ ይርከብ። እዘን ኣብያተክርስትያን እዚኣተን፣ ካባና ፍሉያት ደኣ ይኹና'ምበር ጋና ኡነተይና ሥርዓተ-ምሥጢራት ዘለወን፤ ልዕሊ ኹሉ ድማ፣ በቲ "ሓዋርያዊ ትልወት" (ቀጻልነት) ማለት በቲ ምሥጢረ ክህነትን፣ ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባንን ሕጂ'ውን ናባና ኣዝየን ዝቐረባ ኮይነን ይርከባ።" ኣብ መንጎና ዚግበር ገለ ዓይነት ናይ ቅዱሳት ምሥጢራት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ቅዱስ ቍርባን ሱታፌ ብዚርኢ ገሊኡ ኵነታት ኣብ ዝተጣጥሓሉ፣ ከምኡ'ውን ናይ ቤተክርስትያን ሰበሥልጣን ፍቓድ ኣብ ዝተረኸበሉ ኹሉ፣እዚ ነገር'ዚ ይከኣል ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኪተባባዕ ዘለዎ'ውን እዩ"።[235]

**1400** ናይ ፕሮተስታንት ለውጢ ዘፈልፈለንን፡ ካብ ካቶሊካዊት
1536 ቤተክርስትያን ዝተፈልያን ማኅበራት-ክርስትና "ነቲ ኣማናዊ ህላዌ ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን ብምልኣቱ ኣይዓቀባኦን፤ እዚ ዝኾነሉ ብፍላይ፡ ምሥጢር ቅዱስ መዓርጋት (ክህነት) ብዘይምህላዉ እዩ"[236]። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ እዩ፤ ምስ ከምዚኣተን ዝበላ ማኅበራት-ክርስትና ናይ ቅዱስ ቍርባን ሓድሕዳዊ ሱታፌ

---

[232] ቅ.ኣጐስጢኖስ Sermo 272፡ PL 38, 1247.
[233] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ Hom. in 1 ቆሮ 27፣ 4፡ PG 61፣ 229-230፣ማቴ 25፡40 ረአ
[234] ቅ.ኣጐስጢኖስ In Jo. ev. 26, 13፡ PL 35, 1613፣ ቅዱስ ጉባኤ SC 47 ረአ
[235] ኅብረት ክርስትያን UR 15 § 2፣.ሕገቀኖና፣ቀ. 844 § 3 ረአ.
[236] ኅብረት ክርስትያን UR 22 § 3.

ምህላው ንካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዘይከኣል እዩ። ዝኾነ ኾይኑ እዘን ኣብያተ ክርስትያን እዚኣተን፡ "ኣብ'ቲ ቅዱስ ድራር፡ ንናይ ጐይታና ሞትን ትንሣኤን ኪዝክራ ከለዋ.... ነቲ ምስ ክርስቶስ ዚርከብ ናይ ሕይወት ሱታፌን፣ ብኽብሪ ናይ ዚፍጸም ምጽኣቱ ትጽቢትን ከምዘመልክታ ይእመና እየን"።[237]

**1401** ብናይ'ቲ ቦታ ኣቡን (ጳጳስ) ግምት (ፍርዲ) ኣዝዩ ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ 1483
ዝተረኽበሉ፣ ካህናት (ላእካን) ነቶም ምስ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ምሉእ 1385
ሱታፌ-ኅብረት ዘይብሎም ካልኦት ክርስትያን'ውን ምሥጢራት ቅዱስ ቊርባንን፡ ንስሓን፡ ቅብኣተ-ሕሙማንን ኪፍጽሙሎም ይከኣል እዩ። እዚ ግን እቶም ካልኦት ክርስትያን ባዕሎም ብድልየቶም ምስዚሓቱን፣ እቲ ነዘን ምሥጢራት እዚኣተን ዚርኢ ካቶሊካዊ እምነት ከምዘለዎ ከምዚቕበሉ ምስ ዘረጋግጹን፣ እቲ ዜድሊ ኣተና ምስዚህልዎምን እዩ።[238]

## VII. ቅዱስ ቊርባን፡ "ናይ'ቲ ዚመጽእ ክብሪ ዕርቡን"

**1402** ኣብ ሓደ ጥንታዊ ጸሎታ፡ ቤተክርስትያን ንምሥጢረ ቅዱስ ቊርባን 1323
ብኽምዚ ዚስዕብ ቃላት ተኽብሮን ትውድሶን፦ "ኦ ቅዱስ መኣዲ! ክርስቶስ 1130
እንምገበሉ፣ ናይ ሥቃያቱ (ሕማማቱ) ዝኽሪ ዚሕደሰሉ፣ ነፍሲ ብጸጋ እትምላኣሉ፣ ናይ'ቲ ዚመጽእ ሕይወት ዕርቡን ነኣና ዝተዋህበሉ መኣዲ እዩ"። ቅዱስ ቊርባን ናይ ጐይታ ኢየሱስ፣ ተዝካር ፋሲካኡ እንተደኣኮይኑ፣ ኣብ'ቲ ታቦተምሥዋዕ ብምስታፍና "በቲ ኹሉ ሰማያዊ በረኸትን ጸጋን"[239] ዝመላእና እንተደኣኮይንና፣ እዚ ቅዱስ ቊርባን እምበኣር ናይ'ቲ ሰማያዊ ክብሪ መቕድም ምኳኑ እዩ።

**1403** ኣብ'ቲ "መወዳእታ ድራር" ጐይታ ባዕሉ (ንሓዋርያቱ)ንደቀመዛሙርቱ 671
ናብ'ቲ ኣብ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ዚኸውን ተፍጻሜተ-ፋሲካ ከምዘተኰሩ ገበሮም። "ኣብ መንግሥቲ-ኣቦይ ምሳኻትኩም ኮይነ ብሓዲሱ ክሳብ ዝሰትየላ መዓልቲ፡ ደጊም ካብ'ዚ ፍረ ወይን'ዚ ዘበለ ኣይክሰትን እየ"።[240] ቤተክርስትያን ድማ ኣብ መሥዋዕተ-ቅዳሴ፣ ነዚ ተስፋ'ዚ ትዝክር፣ ቈላሕታኣ እውን "ናብ'ቲ ኪመጽእ ዘለዎ" ትገብር። ኣብ ጸሎታ'ውን እንተኾነ ማራና ታ! "ኦ ጐይታ ኢየሱስ ነዓ"![241] "ጸጋኻ ይምጻእ፣ እዚ ዓለም'ዚውን ይሕለፍ" ክትብል ንምጽኣቱ ትምህለል።[242]

**1404** ሕጂ'ውን ጐይታ በቲ ቅዱስ ቊርባኑ ከምዚመጽእ፣ ኣብኡ'ውን ኣብ 1041
መንጎና ከምዘሎ ቤተክርስትያን ትፈልጥ እያ። እንተኾነ እዚ ህላዌኡ 1028

---

[237] *ኅብረት ክርስትያን* UR 22 § 3.
[238] *ሕገቀኖና፣ቀ.* 844 § 4 *ረኣ.*
[239] *ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ* EP I (Roman Canon) 96፡ Supplices te rogamus.
[240] *ማቴ* 26፡29፣*ሉቃ* 22፡18፣*ማር* 14 ፡25 *ረኣ*
[241] *ራእ* 1፡4፣22 20፣1 *ቆሮ* 16፡22.
[242] *ዲዲስቅልያ* 10, 6፡ SCh 248, 180.

ዝተጐልበበ እዩ። ምእንትʼዚ እምበኣር፣ "ነታ ብፅዕቲ ተስፋን፣ ምጽኣት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ እናተጸበና"[243]፣ "ኩሉ ንብዓት ዘበለ ኣብ ዚድረዘሉ፣ ኣብቲ ክብርኻ ክንሳተፍ ብምምህላል፣ በታ መዓልቲ እቲኣ፣ ኦ! ኣምላኽና ከምታ ዘሎኻያ ክንርእየካ ኢና፤ ነኣኻ ክንመስል፣ ብክርስቶስ ጐይታʼውን ንወትሩ ክንውድሰካ ኢና"[244] እናበልና ሕጂ ነዚ (*መሥዋዕተ ቅዳሴ*) ቅዱስ ቍርባን ንሠርዖ ኣሎና።

**1405** ናይʼዚ "ፍትሕን ርትዕን ዚነግሠሉ" ሓዲስ ሰማያትን ሓዲስ ምድርን[245]
1042 ዓቢይ ተስፋ ዜመልክት፣ ካብ ቅዱስ ቍርባን ሓሊፉ ካልእ ርጉጽ ዕርቡንን፡
1000 ንጹር ትእምርትን ኪህልወና ኣይከኣልን። እዚ ምሥጢርʼዚ ኣብ ዚሥረዓሉ ዅሉ፣ "እቲ ግብረ-ድኅነትና ይፍጸም ኣሎ" ማለትʼዩ፣ ንሕናʼውን "ነቲ ናይ ዘይመዋትነት (ዘለዓለምነት) ፈውሲ ዝኾነ፣ ንሞት ዚከላኸለልናን፣ ንዘለዓለም ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ንኽንነብር (ብሕይወት) ዘኽእለና መግቢ፣ ካብታ ሓንቲ እንጌራ ክንቈርስ ንርከብ"።[246]

---

## ብሓጺሩ

**1406** ኢየሱስ ከምዚ ዚስዕብ ይብል፣ "እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ሕያው እንጌራ ኣነ እየ፤ ካብʼዚ እንጌራʼዚ ዚበልዕ ዘበለ ንዘለዓለም ኪነብር እዩ... እቲ ሥጋይ ዚበልዕ ደመይʼውን ዚሰቲ ሕይወት ዘለዓለም ኣለዎ...ኣባይ ይነብር፣ ኣነ ድማ ኣብኡ። (ዮሓ.6፡ 51. 54.56)

**1407** ቅዱስ ቍርባን ናይ ሕይወት-ቤተክርስቲያን ልብን (ዓንድን) ዝለዓለ ተድባብን እዩ። ምኽንያቱ ከኣ፡ በኣኡ ገቢሩ ክርስቶስ ንቤተክርስቲያኑን ኣባላታን፡ ኣብ መስቀል ሓንሳብ ንወትሩ ናብ ኣቦኡ ኣብ ዘወፈዮ፡ ናይ ውዳሴን ምስጋናን መሥዋዕቲ ኪጽንብሮም ይርከብ። በዚ መሥዋዕትʼዚ ገቢሩ ድማ ኣብ ልዕሊʼታ ኣካሉ ዝኾነት ቤተክርስቲያን ጸጋ-ድኅነት የፍስስ፡፡

**1408** መሥዋዕተ-ቅዳሴ ወትሩ ነዚ ዚስዕብ የሓቍፍ:- ናይ ቃል-ኣምላኽ ንባባትን ስብከትን፣ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ፡ ምእንትʼዚ ዅሉ ጕንፆታቱ፣ ልዕሊ ኹሉ ምእንትʼቲ ህያብ ወዱ ምስጋና ዚቐርበሉ፣ ምልዋጥ ኅብስትን ወይንን፣ ናይ ጐይታ ሥጋኡን

---

[243] *ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ* 126፣ *ድሕሪ "ኣቡነ ዘበሰማያት" ዚግበር ጸሎት* expectantes beatam spem et adventum Salvatoris nostri Jesu Christi፣*ቲቶ* 2፡13 *ረኣ*
[244] EP III 116፡ prayer for the dead.
[245] 2 *ጴጥ* 3፡13.
[246] *ብር.ኣሕ.* LG 3፣*ቅ.እግናጽዮስ ዘኣንጾኪያ* Ad Eph. 20, 2፡ SCh 10, 76.

*ደሙን ብምቕባል፣ ኣብ'ቲ ግብረ-ኣምልኾኣዊ መኣዲ ሱታፌ፣ እዚ ኹሉ ሓደ ግብረኣምልኾ ኮይኑ ይርከብ።*

1409 *መሥዋዕተ ቅዳሴ ዝኽሪ ፋሲካ-ክርስቶስ፣ ማለት እቲ ብናይ ክርስቶስ ሕይወቱን ሞቱን ትንሣኤኡን ዝተፈጸመ ስራሕ-ድኅነት፣ በዚ ግብረኣምልኾኣዊ መደብ ዳግም ህልው ዚኾነሉ እዩ።*

1410 *ብኣገልግሎት ካህናት ገቢሩ መሥዋዕተ ቅዳሴ ዘወፊ፣ እቲ ናይ ሓዲስ ኪዳን ዘለዓለማዊ ሊቀ-ካህናት ዝኾነ ክርስቶስ ባዕሉ እዩ። እቲ ብመልክዕ ኅብስትን ወይንን፡ በኣማን ህልው ዝኾነን ኣብ ቅዳሴ ዚሥዋዕን ድማ ባዕሉ ክርስቶስ እዩ።*

1411 *ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ ብሥርዓትን ብብቕዓትን ኪሠርዑ፣ እቲ ዚቐርብ ኅብስትን ወይንን ከኣ ናይ ጐይታ ሥጋኡን ደሙን ንኪኸውን ዚልውጥዎ* (*ዚቕድስዎ*) *ብሥርዓት መዓርግ-ክህነት ዝለበሱ ካህናት ጥራሕ እዮም።*

1412 *እቲ ቐንዲ ናይ ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን ምልክት፣ ፍረ ስርናይን፡ ወይንን እዩ፤ ክርስቶስ ኣብ መወዳእታ ድራር "እዚ ምእንታኹም ዚወሃብ ሥጋይ እዩ.... እዚ ጽዋዕ-ደመይ እዩ...." ንዝበሎ ቃላት እቲ ካህን ብምድጋም ኣብ ልዕሊኡ ቡራኬ መንፈስ ቅዱስ ይምህለል።*

1413 *በዚ ናይ ቀድሶት ተግባር፣ ናይ'ቲ ኅብስትን ወይንን ተዋልጦተ-ህላዌ* (transubstantiation) *ናብ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ይፍጸም። ኣብ'ቲ ዝተቐደሰን ዝተለወጠን መልክዕ ኅብስትን ወይንን፣ እቲ ሕያው ዝኾነን ዝኸበረን ክርስቶስ፣ ሓቅን ኣማናውን ብዝኾነ መደብ-ህላዌ ኣብኡ ይርከብ፤ ሥጋኡን ደሙን ምስ ነፍሱን መለኮቱን።* (*ጉባኤ ትረንቶስ፡ ደንዚንገር* DS 1640; 1651 *ረአ*)

1414 *ቅዳሴ ከም መሥዋዕቲ እዩ፤ ምእንቲ ናይ ህልዋንን ሙታንን ካሕሣ-ኃጢኣት፣ ከምኡ'ውን ካብ ኣምላኽ መንፈሳውን ምድራውን ረብሓታት ንምርካብ ሥርዓተ ቅዱስ ቍርባን ይሥራዕ።*

1415 *ንክርስቶስ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ኪቕበሎ ዚደሊ ዘበለ፣ ኣብ ናይ ጸጋ ሃለዋት ኪህሉ ኣለዎ። ዝኾነ ይኹን ዓቢይ ኃጢኣት ከም ዝፈጸመ ዚስምዖ፣ ኣብ ምሥጢረ-ንስሓ ቀሪቡ ብዚግባእ ፍትሓት ከይረኸበ ቅዱስ ቍርባን ኪቕበል ኣይክእልን።*

1416 *ኣብ ናይ ክርስቶስ ሥጋኡን ደሙን ምስታፍ ማለት፡ ተሳታፊ ምስ ጐይታ ንዘለዎ ሓድነት ከምዘጽንዕ፣ ናእሽቱ ኃጢኣቱ*

ከምዚሕደገሉ፣ ካብ ዓቢይ ኃጢኣት ከኣ ከምዚሕሎ ይገብሮ። ነዚ ምሥጢር'ዚ ምቕባል፣ ኣብ መንጎ'ቲ ተቐባልን ኣብ መንጎ ክርስቶስን ንዘሎ ማእሰር-ፍቕሪ ዘደልድል ስለዝኾነ፣ ምሥጢራዊት ኣካል-ክርስቶስ ናይ ዝኾነት ቤተክርስትያን ሓድነት'ውን ኣጸቢቑ ዜበርትዕ እዩ።

1417 ምእመናን ኣብ መሥዋዕተ-ቅዳሴ እንኪሳተፉ ሥጋኡን ደሙን ኪቕበሉ፣ ቤተክርስትያን ኣበርቲዓ እተተባብዖም እዩ። እንተወሓደ ከኣ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ነዚ ኪፍጽሙዎ ትእዝዞም።

1418 ኣብ'ቲ ናይ መንበረ ታቦት ምሥጢር ክርስቶስ ባዕሉ ህልው ስለዝኾነ፣ ናይ ስግደት ኣምልኾ ዚግበኦን፣ በኣኡ ኪኽብር ዘለዎን እዩ። "ነቲ ቅዱስ ምሥጢር ብምብጻሕ ስግደት ምፍጻም ...ናይ ምስጋና ምልክት፣ ናይ ፍቕሪ መግለጺ፣ ናብ ክርስቶስ ጐይታና ዝቐንዐ ናይ ኣምልኾ ግቡእነት እዩ" (ር.ሊ.ጳ.ጳውሎስ 6ይ MF 66)

1419 ካብ'ዚ ዓለም'ዚ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዝሓለፈ ክርስቶስ፣ ከም ናይ ክብሩ ዕርቡን ገቢሩ ቅዱስ ቍርባን ሃበና። ኣብ'ዚ ቅዱስ መሥዋዕቲ ምስታፍ ማለት፡ ነኣና ኣብ'ቲ ልቡ ምውህሃድ ማለት እዩ፤ኣብ ናይ'ዚ ሕይወት'ዚ ጒዕዞ (ንግደት) ኃይልና የደልድለልና፤ ንዘለዓለማዊ ሕይወት ሃረር ከምንብል ይገብረና፣ብሕጂኡ ምስ'ታ ኣብ ሰማይ ዝነገሠት ቤተክርስትያን፣ ምስ ብፅዕት ድንግል ማርያምን ኵሎም ቅዱሳንን የወሃህደና።

# ምዕራፍ ክልተ

# ፈዋሲ፡ ምሥጢራት

1420 ብናይ መባእታ-ክርስትና ምሥጢራት፣ ወድሰብ ነታ ብኽርስቶስ እትርከብ ሓዳስ ሕይወት ይቕበል። ነዛ ሕይወት'ዚኣ ድማ "ኣብ ተሰባሪ ኣቕሓ-መሬት" ሒዝናያ ኣሎና፣ ምስ'ዚ ከኣ፣ "ምስ ክርስቶስ ኣብ እግዚኣብሔር ተሠዊራ" ዘላ እያ።[1] ዛጊት ኣብ'ቲ "ምድራዊ ድንኳን" ኮይንና ሥቓያትን ሕማማትን ሞትን እንጸውር ዘሎና ኢና።[2] እዛ ከም መጠን ውሉድ-እግዚኣብሔር ዝተረኽበት ሕይወት፡ ብሰንኪ ኃጢኣት ክትደክም፡ ፈጺማ'ውን ክትጠፍእ እትኽእል እያ።

1421 እቲ ናይ ነፍሳትናን ግዙፍ ኣካላትናን ፈዋሲ (ሓኪም) ዝኾነ፣ ነቲ ልሙስ (መፃጕዕ) ኃጢኣቱ ዝሓደገሉን፡ ሥጋዊ ጥዕና ዝመለሰሉን ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ[3] ነዚ ናይ ምፍዋስን (ምሕዋይን) ምድኃንን ተግባሩ፣ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ተደጊፋ፣ ቤተክርስትያን ኣብ ኣባላታ'ውን ከይተረፈ ክትቅጽሎ፡ ድላዩ እዩ። "ናይ ምፍዋስ (ምሕዋይ) ምሥጢራት" ዝተሰምያ ናይ'ተን ክልተ ምሥጢረ ንስሓን፣ ምሥጢረ ቅብኣተ-ሕሙማንን (ቀንዲል) ዕላማ እዩ።

## ኣንቀጽ 4
## ምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን

1422 እቶም ናብ ምሥጢረ ንስሓ ዚቐርቡ፣ ምእንት'ቲ ተጻዩ ዝፈጸምዎ 980
በደል-ኃጢኣት ካብ ምሕረት-ኣምላኽ ይቕረታ ይረኽቡ። ከምኡ'ውን ምስ'ታ ብኃጢኣቶም ዘቝሰልዋ፣ ብግብረ-ፍቕርን ርኅራኄን፣ ብኣብነትን ጸሎትን ንንስሓኦምን ንምምላሶምን ምስ እትሰርሕ ቤተክርስትያን ይዕረቑ።[4]

---

[1] 2 ቆሮ 4፡7፣ቆላ 3፡3
[2] 2 ቆሮ 5፡1.
[3] ማር 2፡1-12 ረኣ
[4] ብር.ኣሕ. LG 11 § 2.

# I. እዚ ምሥጢር ብኸመይ ይስመ?

**1423** *ናይ ምምላስ (=ሚጠት) ናይ ምጥዓስ ምሥጢር ይበሃል፤* ምኽንያቱ
1989 ከኣ፡ ሰባት ንኺንስሑን ኺምለሱን ክርስቶስ ንዘቕረቦ መጸዋዕታ ህልው ዚገብር፣
ብኃጢኣት ርሒቕካ ተፈሊኻዮ ናብ ዝነበርካ ኣቦ[5] ንምምላስ መዠመርያ ስጕሚ
ስለዝኾነ እዩ።

*ምሥጢረ ንስሓ'ውን ይበሃል፣* ከመይሲ እቲ ኃጢኣት ዝፈጸመ
1440 ክርስትያን፡ ነቲ ናይ ምምላሱን ጣዕሳኡን፡ ካሕሣኡን ውልቃውን ማኅበራውን
ስጕምታቱ ዚቕድስ እዩ።

**1424** *ምሥጢረ ኑዛዜ'ውን ይስመ።* እዚ ዝተሰምየሉ ምኽንያት ከኣ፣ እቲ
1456 ንካህን ዚግበር ናይ ኃጢኣት ተኣምኖት፣ ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ቀንዲ ክፍሊ
ብምዃኑ እዩ። ኣዕሚቑካ ክትሓስቦ ከሎኻ፣ እዚ ኑዛዜ ወይ ተኣምኖት፣ ነቲ
ቅድስና-ኣምላኽን፡ ንኃጢኣተይና ዘለዎ ምሕረቱን፣ ምእማንን ምውዳስን የስምዕ።

*ምሥጢረ ምሕረት ይበሃል።* ብናይ'ቲ ካህን ምሥጢራዊ (መንፈሳዊ)
1449 ፍትሓት ገቢሩ፣ እግዚኣብሔር ነቲ ተነሳሒ "ምሕረትን ይቕረታን ሰላምን"
ይህቦ[6]።

*ምሥጢረ ዕርቂ* እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ ኣብ ልዕል'ቲ ዚንሳሕ
1442 ኃጢኣተይና፣ ዕርቂ ዚፍጽም ፍቕሪ-ኣምላኽ ከፍስስ ስለዚርከብ እዩ፣ "ምስ
እግዚኣብሔር ተዓረቑ"[7]። በቲ ምሕረት ዝዓዘዞ ፍቕሪ-ኣምላኽ ዚነብር ሰብ፡ "ኪድ
ቅድም ምስ ኃውካ ተዓረቕ"[8] ንዚብል መጸዋዕታ-ጐይታ ኪምልሽሉ ስንድው እዩ።

# II. ድሕሪ ጥምቀት፡ ስለምንታይ ምሥጢረ ዕርቂ (ንስሓ) ኣድለየ

**1425** "ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ብመንፈስ-እግዚኣብሔር
1263 ተሓጺብኩምን፡ ተቐዲስኩምን ጸዲቕኩምን ኢኻትኩም"።[9] ካብ'ቲ "ንኽርስቶስ
2838 ዝለበሶ"[10] ሰብ፣ ኃጢኣት ከመይ ኢሉ ከምዝተቐንጠጠ ንምርዳእ፣ እግዚኣብሔር
ብምሥጢራት መባእታ-ክርስትና ገቢሩ ንዝሃበና ጸጋታት ስፍሓቱን ጥልቀቱን
ምግንዛብ የድሊ። ግና ኸኣ ሓዋርያ ዮሓንስ ከምዚ ዚስዕብ ይብል፣ "ኃጢኣት

---

[5] ማር 1፡15፣ሉቃ 15፡18 ረአ
[6] መዓርግ ክህነት OP 46፡ ጸሎተ ፍትሓት
[7] 2 ቆሮ 5፡20
[8] ማቴ 5፡24
[9] 1 ቆሮ 6፡11
[10] ገላ 3፡27

*የብልናን እንተበልና ንርእስና ነሰሓሕት፣ ሓቂ'ውን ኣባና የላን"[11]። ጐይታ'ውን ብወገኑ "ንበደላትና ይቕረ በለልና" ኢልና[12] ክንጽሊ ምሂሩና። በዚ ኸኣ፡ ነቲ ናይ ሓድሕድና በደል ምምሕሓር፣ ምስ'ቲ እግዚኣብሔር ኪህበና ዘለዎ ናይ ኃጢኣትና ምሕረት ኣተሓሒዝዎ ይርከብ።*

**1426** *እታ መርዓት-ክርስቶስ ዝተሰምየት ቤተክርስትያን "ቅድስትን መንቅብ* 405
*ዘይብላ ንጽሕትን" ከምዝኾነት፣ ልክዕ ከምኡ ንሕና'ውን ናብ ክርስቶስ ብምምላስ* 978
*(ኣብኡ ብምእማን)፣ በቲ ናይ ጥምቀት ሓዲስ ልደትን፣ ብህያብ መንፈስ* 1264
*ቅዱስን፣ መጠን መግቢ ብዝተቐበልናዮ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን "ቅዱሳንን ንጹሓንን" ገቢሩና እዩ።[13] እንተኾነ ግን እቲ ኣብ ምሥጢረ መባእታ-ክርስትና ዝተዋህበ ሓዲስ ሕይወት፣ ነቲ ናይ ሰብኣዊ ባሕርይ ድኻምነትን ተነካእነትን ኣየልገሶን፤ ትውፊት ክርስትና "ፍትወተ ሥጋ" ንዚብሎ ዝንባሌ'ውን ኣይደምሰሶን፤ እዚ ዝንባሌ'ዚ ኣብ'ቲ ተጠማቒ ቀጺሉ፣ ብጸጋ-ክርስቶስ ተሓጊዙ ኣብ'ቲ ናይ ሕይወት ክርስትና ቃልሲ ጽንዓቱ ዜመስክረሉ እዩ።[14] እዚ ኸኣ ጐይታ ናብኡ ንምጽዋዕና ዘይስልከየሉ፡ ናብ ቅድስናን ዘለዓለማዊ ሕይወትን ዝዓለመ፡ ናይ ንስሓን ምምላስን ገድሊ (ቃልሲ) ምዃኑ እዩ።[15]*

## III. ናይ'ቶም ዝተጠምቁ ንስሓን ምምላስን

**1427** *ብንስሓ ክንምለስ ኢየሱስ ይዕድመና። እዚ ዕድመ'ዚ ድማ፡ "ግዜኡ* 541
*ኣኺሉ (በጺሑ) እዩ፤ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ከኣ ቀሪባ እያ'ሞ፣ ተነሥሑ!* 1226
*(ተመለሱ) ብወንጌል'ውን እመኑ"[16]፤ ዚብል ናይ'ቲ ብሥራት መንግሥቲ-እግዚኣብሔር ቀንዲ ክፍሊ እዩ። ኣብ ናይ ቤተክርስትያን መደብ ስብከት እንተደኣኮይኑ፣ እዚ መጸዋዕታ'ዚ ቅድም ነቶም ንኽርስቶስን ወንጌሉን ዛጊት ዘይፈልጡ ዚቐርብ ዕድመ እዩ። ምስኡ'ውን ጥምቀት እቲ ቀዳማይን መሠረታውን ንስሓ (ምምላስ) ዚፍጸመሉ ቀንዲ ቦታኡ እዩ። ሓደ ሰብ ንኽፉእ ረጥሪጡ፡ ድኅነት ኪጭብጥ ዚኽእል፤ ማለት ናይ ኵሉ ኃጢኣት ኅድገትን፣ ናይ'ታ ሓዳስ ሕይወት ውህበትን ዚረክብ፡ ኣብ ወንጌል ብምእማንን ብጥምቀትን[17] እዩ።*

**1428** *ንንስሓ ዚዕድም ናይ ክርስቶስ መጸዋዕታ ኣብ ሕይወት ክርስትያን* 1036: 853
*ከቃልሕ ዚነብር እዩ። ነታ "ኣብ ሑቕፏ ኃጢኣተይናታት ከይተረፉ ዝሓዘት፣* 1996
*ቅድስቲ ክንሳ፣ ወትሩ ኣብ መስርሕ-ምንጻሕ እትርከብን፣ ቀጺላ ከኣ መንገዲ*

---

[11] 1 *ዮሓ* 1፡8
[12] *ሉቃ* 11፡4፣*ማቴ* 6፡12 *ረአ*
[13] *ኤፌ* 1፡4፣5፡27
[14] *ጉባኤ ትረንቶስ* (1546) *ደንዚንገር* DS 1515 *ረአ*
[15] *ጉባኤ ትረንቶስ* (1547)፡ *ደንዚንገር* DS 1545፣*ብር.ኣሕ.* LG 40 *ረአ*
[16] *ማር* 1፡15
[17] *ግ.ሓ* 2፡38

ንስሓን ተሓድሶን"[18] ዝተኸተለት ቤተክርስትያን፣ እዚ ዳግማይ ንስሓ ዘየቋርጽ ተግባራ እዩ። እዚ ናይ ንስሓ ጻዕርን ትግሃትን ሰብኣዊ ስራሕ'ዩ ጥራሕ ኪበሃል ኣይከኣልን።እቲ "ብጸጸት ዝተመልአ ልቢ"ብጸጋ-ኣምላኽ ተሳሒቡን ተንቀሳቒሱን፣ ነቲ ኣቐዲሙ ዘፍቀረና ምሕረት ዝዓዘዞ ፍቕሪ-ኣምላኽ ዚህቦ ምላሽ እዩ።[19]

**1429** *ንመምህሩ፡ ሠለስተ ግዜ ምስ ነጸገ፣ ቅዱስ ጴጥሮስ ዝፈጸሞ ንስሓን ምምላስን ናይ'ዚ ምስክር እዩ። መወዳእታ ዘይብሉ ምሕረት ዝመልአ ጠመተ ኢየሱስ፣ ካብ ጴጥሮስ ናይ ንስሓ ንብዓት ከምዚፍልፍልን፣ ድሕሪ ትንሣኤ-ጐይታ ድማ፡ ንጐይታኡ ዘለዎ ፍቕሪ ሠለስተ ግዜ ዘረጋግጸሉ ኵነታት ከም ዘማዕብልን ገበረ።[20] እዚ ዳግማይ ንስሓ (ምምላስ) ማኅበራዊ ጠባይ ከምዘለዎ፣ በቲ "ተነሳሕ"[21] ዚብል ጐይታ ንመላእ ቤተክርስትያን ዜቕርቦ መጸዋዕታ ዚፍለጥ እዩ፡-*

> *ቅዱስ ኣምብሮዝዮስ በዘን ክልተ ናይ ንስሓ መደባት እንኪዛረብ፣ ኣብ ቤተክርስትያን "ማይን ንብዓትን ኣሎ፤ ማለት ናይ ጥምቀት ማይን፣ ናይ ንስሓ ንብዓትን" ይብል።*[22]

## IV. ውሽጣዊ ንስሓ

**1430** *ኢየሱስ ዜቕርቦ ናይ ንስሓ መጸዋዕታ ልክዕ ከም ናይ'ቶም ዝቐደሙ*
1098 *ነቢያት፣ ናብ'ቲ ግዳማዊ ተግባር፡ ማለት "ወጮ ምኽዳንን፣ ሓመኹሽቲ ምንስናስን"፣ ጾምን ተጋድሎን ምፍጻም ብሕቱ ዘይኮነስ፡ ቅድሚ ኹሉ ናብ'ቲ ናይ ልቢ ንስሓ፣ ናብ ውሽጣዊ ንስሓን ምምላስን ዘተኰረ እዩ። ብዘይካ'ዚ እቲ ኵሉ ግብረ-ንስሓ ፍረ-ኣልቦን ሓሳውን ኮይኑ ይተርፍ፤ ብዝኾነ ግን ካብ ውሽጢ ዝተበገሰ ቅኑዕ መንፈስ ንስሓ፡ መግለጺኡ ኪኸውን ንዚኽእል፡ ርኡይ ምልክታትን ሥርዓታትን፡ ናይ ግብረ-ንስሓ መደባትን የንቀሳቕስ እዩ።*[23]

**1431** *ውሽጣዊ ንስሓ ኪበሃል ከሎ፣ መሠረታዊ ንዝኾነ ናይ መላእ ሕይወት*
1451 *ለውጢ፣ ብምሉእ ልብኻ ናብ ኣምላኽ ምምላስን ኣብኡ ምእማንን፣ ግብረ*
368 *ኃጢኣት ዜብቀዓሉ፣ ነቲ ዝፈጸምካዮ ክፉእ ተግባራት ብምጽያፍ ካብ ክፍኣት ገጽካ ምግልባጥ የስምዕ። ምስኡ ድማ፣ ኣብ ምሕረት-ኣምላኽ ብምትስፋው፣ ብሓገዝ ጸጋኡ ሕይወትካ ንምልዋጥ (ንምሕዳስ) ድልየትን ቈራጽነትን ዚሓትት*

---

[18] ብር.ኣሕ. LG 8 § 3
[19] መዝ 51፡17፣ዮሓ 6፡44፣12፡32፣1 ዮሓ 4፡10 ረአ
[20] ሉቃ 22፡61፣ዮሓ 21፡15-17 ረአ
[21] ራእ 2፡5፣ 16
[22] ቅ.ኣምብሮዝዮስ ep. 41, 12፡ PL 16, 1116
[23] ኢዩ 2፡12-13፣ኢሳ 1፡16-17፣ማቴ 6፡1-6፣16-18 ረአ

እዩ። እዚ ናይ ልቢ ንስሓ፡ በቲ ፈዋሲ ዝኾነ ሥቓይን ሓዘንን ዝተሰነየ እዩ። ነዚ ከኣ ኣበው፣ ናይ መንፈስ ሥቓይን፣ ናይ ልቢ ጸጸትን ኪብሉ ይሰምዩዎ።[24]

**1432** ልቢ ወድሰብ ጽኑዕን ዝተረረን እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ እግዚኣብሔር ንሰብ ሓዲሽ ልቢ ኪህቦ ኣለዎ።[25] ንስሓ (ምምላስ) ቅድሚ ኵሉ፣ ንልባትና ናብኡ ከምዚምለስ ዚገብር፣ ናይ ጸጋ-ኣምላኽ ስራሕ እዩ፡ "ኦ! ጐይታ ናባኻ ምለሰና፣ ንሕና'ውን ክንምለስ ኢና"![26] ከም ሓዲሽ ንምጅማር ኣምላኽ ኃይሊ ይህበና እዩ። ልብና ብናይ ኃጢኣት ክብደትን፣ ዘንቀጥቅጥ ሃለዋትን ተናዊጹ፣ ንኣምላኽ ብኃጢኣት እንካብ ምሕዛኑን፣ ካብኡ እንካብ ምፍላይን ኪጥንቀቕ ዚጅምር፣ ናይ ፍቕሪ-ኣምላኽ ዕቤት ከስተማቕር ምስተረኸበ እዩ። እዚ ሰብኣዊ ልብና ድማ፡ ነቲ ኃጢኣትና ዝወግአ ብምጥማት'ዩ ኪንሳሕ ዚርከብ፡[27] 1989

*ንድኅነትና ዝተኻዕወ ኮይኑ፣ ናብ መላእ ዓለም ጸጋ-ንስሓ ዜምጽእ ስለዝኾነ፣*
*ኣብ ዓይኒ (እግዚኣብሔር) ኣቦኡ ከመይ ዝበለ ክቡር ነገር ምዃኑ ንምርዳእ፣*
*ኣዕይንትና ተኺልና ነቲ ደም-ክርስቶስ ክንጥምቶ ይግበኣና።*[28]

**1433** ድሕሪ ዕለተ-ፋሲካ (ትንሣኤ)፣ መንፈስ ቅዱስ "ንዓለም ብዛዕባ ኃጢኣት ኪረትዖ እዩ"[29]፣ ማለት ዓለም ኣብ'ቲ ኣቦ ዝለኣኾ ብዘይምእማኑ ኪፍረድ እዩ። 729: 692
እንተኾነ እዚ ንኃጢኣት ዜቃልዕ መንፈስ ቅዱስ፣ ንሱ እቲ ንሰብኣዊ ልቢ፣ ጸጋ ንስሓን ምምላስን ዚህብ፣ መጸናንዒ ከኣ እዩ።[30] 1848

## V. ናይ ክርስትያናዊ ሕይወት፣በብዓይነቱ መልክዕ ንስሓ

**1434** "ናይ ሓደ ክርስትያን ውሽጣዊ ንስሓኡ፡ ብብዙሕን በብዓይነቱን መንገድታት ኪግለጽ ይከኣል። ቅዱስ መጽሓፍን ኣበውን፣ ልዕሊ ኵሉ ነተን ብመንፅር ርእስናን፣ ብመንፅር ኣምላኽን፡ ካልኣትን ንመደብ ንስሓን ምምላስን ዚገልጻ ሠለስተ መልክዕ ማለት፡ ጾም-ጸሎት-ምጽዋት[31] የተኵሩለን። ሡር-መሠረትካ ምስ ዜንጽሕ ጥምቀት ወይ ሰማዕትነት ዚቕጽር መጋበሪ ኅድገት-ኃጢኣት ኢሎም ዚሰምዩዎ ኣለዉ፤ እዚ ኸኣ፡ እቲ ምስ ብጻይካ (ጐረቤትካ) ዕርቂ ንምትካል እትገብሮ ጻዕሪ፣ እቲ ናይ ንስሓ ንብዓት፣ ንድኅነት-ብጻይካ እትገብሮ ተገዳስነትን ኃልዮትን፣ ናይ ቅዱሳን ኣማልድነትን፣ ከምኡ'ውን ነታ "ብዙኅ ኃጢኣት እትሽድን" ፍቕሪ ኣብ ግብሪ ምውዓልን[32] ይርከቦ። 1969

---

[24] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)ደንዚንገር DS 1676-1678፣1705፣.ሮማዊ ትም.ክር. II,V,4 ረአ
[25] ሕዝ 36፡26-27 ረአ
[26] ሰቆ 5፡21
[27] ዮሓ 19፡37፣ዘካ 12፡10 ረአ
[28] ቅ.ቀሌምንጦስ ዘሮሜ Ad Cor. 7, 4፡ PG 1, 224
[29] ዮሓ 16፡8-9 ረአ
[30] ዮሓ 15፡26፣ግ.ሓ 2፡36-38፣ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ DeV 27-48 ረአ
[31] ጦቢት 12፡8፣ማቴ 6፡1-18 ረአ
[32] 1 ጴጥ 4፡8፣ያዕ 5፡20 ረአ

**1435** ምእንት'ዚ መደብ ንስሓ ኣብ ዕለታዊ ሕይወት ኪፍጸም ዚርከብ በዚ ዚስዕብ እዩ፣- ንዕርቂ ዚዕድም ተግባራት፣ ንድኻታት ዚግበር ተገዳስነትን ኃልዮትን፣ ንገዛእ ኣነዋትካ ጕድለትካ ብምእማን፣ ንመደብ ርትዕን ፍትሕን እንከተሰጕምን እንክትከላኸለሉን[33]፣ኅውነታዊ ምትእርራም፣ መርመራ-ሕይወትካ፣ መርመራ-ኅሊና፣ መንፈሳዊ መሪሕነት፣ ንሥቓይ ምቕባል፣ ምእንቲ ርትዕን ፍትሕን ኣብ እትጻወሮ ስደት ጽንዓት። መዓልቲ-መጽአ መስቀልካ ጸዊርካ ንኢየሱስ ምኽታል እቲ ዝበለጸን ዝተረጋገጸን መንገዲ ንስሓ እዩ።[34]

**1436** *ቅዱስ ቍርባንን ንስሓን*፡- እቲ ምስ ኣምላኽ ዝዓረቐና መሥዋዕቲ
1394 ክርስቶስ ኣብኡ ህልው ኮይኑ ስለዚርከብ፣ ቅዱስ ቍርባን ናይ'ቲ ዕለታዊ መደብ
ንስሓን ምምላስን ምንጩን መጋቢኡን እዩ። እቶም ብሕይወት-ክርስቶስ ዚነብሩ፣ ብቅዱስ ቍርባን ይምገቡን ይድልድሉን፡ "ካብ'ቲ መዓልታዊ ጕድለትናን ጌጋታትናን ዘገላግለና፣ ካብ ዓቢይ ኃጢኣት ዚሕልወና፡ ፈውሲ እዩ"።[35]

**1437** *ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምንባብ*፣ ጸሎተ ሰዓታት (ዳዊት) ምብጻሕ፣ እቲ "ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር" (ኣቡነ ዘበሰማያት) ዚብል ጸሎት ምድጋም፣ ብቕንዕና ዚፍጸም ዝኾነ ይኹን ግብረ-ኣምልኾትን መንፈሳውነትን፣ ኣባና ንመንፈስ ንስሓን ምምላስን ዜለዓዕልን፣ ንኅድገት-ኃጢኣትና ገለ ዜበርክትን እዩ።

**1438** እቲ ኣብ ናይ *ሥርዓተ-ኣምልኾ* (ሊጡርግያ) ኣዝማናት ተዘርጊሑ
540 ዘሎ *ናይ ንስሓ እዋናትን መዓልታትን (ዘመነ ጾም፣* ከምኡ'ውን ንዝኽሪ ሞት-
2043 ጐይታ ነፍሲወከፍ ዓርቢ) ናይ ቤተክርስትያን ጽዑቕ መደባት ንስሓ ካብ
ዚፍጸመሉ ገሊኡ እዩ።[36] እቲ እዋናት'ቲ ንመደብ ሱባኤን፣ ናይ ንስሓ *ሥርዓታትን*፣ ምልክት-ንስሓ ንዝኾነ ንግደታትን፣ ብድልየትካ ንዚፍጸም ከም ጾምን ምጽዋትን ዝበለ መንፈስ ተጋድሎ ንምኽታል፣ ናይ ስብከተወንጌልን ግብረ ሠናይን ስራሕን፣ ሓድሕዳዊ ናይ ኣኅዋት ሱታፌን ዚፍጸመሉ ግዜ እዩ።

**1439** *ናይ ንስሓን ምምላስን መስርሕ ወይ ጕዕዞ፣* ዓንዲ-ማእከሉ (ምሕረት-
545 ኣቦ) ኣብ ዝኾነ፣ ኣብ ናይ'ቲ በታኒ ወዲ ምሳሌ፣ ኢየሱስ ባዕሉ ገሊጽዎ ኣሎ።[37]
መሳጥን መስሓትን ዝኾነ ናይ ሓሳዊ ናጽነት ኵነት፣ ቤት-ኣቦኻ ጠንጢንካ ምኻድ፤ ንብረቱን ገንዘቡን ዘሪዉ ምሰ'ጥፈአ፡ እቲ ወዲ ዝወደቐሉ መወዳእታ ናይ ድኽነት ሃለዋት፣ ሓሳሙ ኪምግብ ዝተረኽበሉ ድርቡይን ውርደት ዝመልኦን ኵነታት፣ ዝገደደ ኽኣ ምስተን ሓሳሙ ተመዓራርዩ ኪበልዕ ምምናዩ፤ ነቲ ኹሉ ዘጥፈኦን ዝተወስዶን ዘበለ ከስተንትኖ ምኽኣሉ፣ ንስሓኡን፡ ኣብ ቅድሚ ኣቦኡ ብበደሉ ንርእሱ ኪኸስስ ስንድው ምዃኑን፣ እቲ ናይ መልሲ ጕዕዞ፣ ርኅራኄን

---

[33] ኣሞ 5፡24፣ኢሳ 1፡17 ረአ
[34] ሉቃ 9፡23 ረአ
[35] ጉባኤ ትረንቶስ (1551) ደንዚንገር DS 1638
[36] ቅዱስ ጉባኤ SC 109-110;ሕገቀኖና፣ ቀ. 1249-1253፣ሕገቀኖና ምሥ.ቀ. 880-883 ረአ
[37] ሉቃ 15፡11-24 ረአ

ልግሥን ዝመልኦ ናይ'ቲ ኣቦ ኣቀባብላ፤ ናይ'ዚ ኣቦ'ዚ ደስታኡን ታሕጓሱን፣ እዚ ኹሉ ናይ'ቲ መስርሕ-ንስሓ ዓይነተይና ባሕርያት እዩ። እቲ ብሉጽ ክዳንን፡ ካትምን እቲ መኣዲ-ታሕጓስን ኩሉ ናይ'ታ ንጽሕትን ብቕዕትን ታሕጓስ ዝመልኣን ሓዳስ ሕይወት ኣምሳል እዩ፤ ናብ ኣምላኽ ናይ ዚምለስን፣ ናብ'ታ ሑቕፎ ስድራቤቱ ማለት ናብ ቤተክርስትያን ናይ ምምላስን ኣምሳል እዩ። ንናይ ኣቦኡ ዕምቈት-ፍቕሩ ኪበጽሖ ዚኽእል፣ ናይ ምሕረቱ ጥልቀትን ስፍሓትን ብኽምዚ ዝበለ ገርህይናን ኣገራምን ዝኾነ ኣገባብ ኪገልጾ ዚኽእል ልቢ-ክርስቶስ ጥራሕ እዩ።

## VI. ምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን

1440 ኃጢኣት ኪበሃል ከሎ፣ ልዕሊ ኩሉ ተጻይ ኣምላኽ ዚግበር በደልን፣ ምስኡ ንዘሎካ ርክብን ሱታፌን ምብታኽን የስምዕ። ምስኡ ድማ ነቲ ምስ ቤተክርስትያን ዘሎካ ሱታፌ ዚጐድእ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ ንስሓ ወይ ምምላስ ተፈጺሙ ንኺበሃል ናይ እግዚኣብሔር ምሕረትን ይቕሬታን፡ ምስ ቤተክርስትያን ዕርቅን የድሊ። እዚ ኽልቲኡ ኸኣ ብመልክዕ ሥርዓተ-ኣምልኾኣዊ ኣገባብ፡ ብምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን ይፍጸም።[38] 1850

## እግዚኣብሔር ጥራሕ'ዩ ኃጢኣት ዚኃድግ

1441 እግዚኣብሔር ጥራሕ'ዩ ንኃጢኣት ዚኃድግ[39]። ኢየሱስ ንባዕሉ ወልደ-እግዚኣብሔር ብምኳኑ ድማ፣ ብዛዕባ ርእሱ "ወድሰብ፡ ኣብ ምድሪ ኃጢኣት ኪኃድግ ሥልጣን ኣለዎ" ድሕሪ ኢሉ፤ "ኃጢኣትካ ተኃዲጉልካ እዩ"[40] ብምባል ከኣ ነቲ መለኮታዊ ሥልጣኑ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ ይረኣ። ብተወሳኺ'ውን፣ ካብ'ዚ መለኮታዊ ሥልጣን'ዚ ተበጊሡ፣ ነዚ ክእለቱ ነቶም ብስሙ ዚሰርሑ ሰባት ኪህቦም ይርከብ።[41] 270: 431 589

1442 በቲ ኵሉ ጸሎታን ሕይወታን ተግባራታን ቤተክርስትያን ብመላኣ፣ ብደሙ ናይ ዝረኸበልና ምሕረትን ዕርቅን፣ ምልክትን መጋበሪትን ኮይና ክትርከብ፡ ድላይ ክርስቶስ እዩ። እንተኾነ ነቲ ካብ ኃጢኣት ናይ ምፍታሕ ሥልጣን፡ ነቲ "ተልእኮ ዕርቂ" ኪፍጽም ኣብ ዝመዘዞ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት 983

38 ብር.ኣሕ. LG 11 ረአ
39 ማር 2፡7 ረአ
40 ማር 2፡5፣ 10፣ሉቃ 7፡48
41 ዮሓ 20፡21-23 ረአ

ሕድሪ ገደፎ።[42] እቲ ሓዋርያ ብስም-ክርስቶስ ዝተላእከ ኮይኑ፣ "ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ"[43] እናበለ በኣኡ ገቢሩ ዚምዕድ ድማ እግዚኣብሔር እዩ።

## ምስ ቤተክርስትያን ዕርቂ

**1443** ኢየሱስ ስብከቱ ኣብ ዝፈጸመሉ ግዜ፣ ንኃጢኣት ምምሓር ጥራሕ
545 ዘይኮነስ፣ ፍረ ናይ'ዚ ኅድገት-ኃጢኣት እውን ዘርጊሖ እዩ፤ ማለት ነቶም ዝተማሕሩ ኃጢኣተይናታት፡ ናብ'ታ ብሰንኪ ኃጢኣት ተፈልዮማ ወይ ካብኣ ወጺኦም ዝነበሩ ማኅበር ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ዳግም ከምዚሕወሱ ገበረ። ናይ'ዚ ርኡይ ዝኾነ ምልክቱ ኸኣ፣ ኢየሱስ ኣብ'ቲ መኣዱ ንኃጢኣተይናታት ምቕባሉ እዩ። እዚ ምልክት'ዚ ድማ ንኽልቲኡ ማለት ምሕረት-ኣምላኽን፣ ናብ ሑቕፊ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር[44] ምምላስን፡ ብዜደንቕ ኣገባብ ኪገልጾ ይርከብ።

**1444** ኃጢኣት ናይ ምኅዳግ ሥልጣኑ ጐይታ ናብ ሓዋርያቱ ከመሓላልፈሎም
981 ከሎ፣ ንኃጢኣተይናታት ምስ ቤተክርስትያን ናይ ምትዕራቕ ሥልጣን እውን ሂቡዎም እዩ። እዚ ብመንፅር ቤተክርስትያን ዚጥመት ተግባርን ተልእኮን-ሓዋርያት፡ ኣብ'ቲ ንስምዖን ጴጥሮስ ብሥርዓት ዝተነግረ ናይ ክርስቶስ ቃላት ንረኽቦ፡- "መፋትሕ መንግሥተ ሰማያት ክህበካ እየ፣ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ፡ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ፤ ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ከኣ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ"።[45] እዚ ንጴጥሮስ ዝተዋህበ ናይ ምእሳርን ምፍታሕን ሥልጣን፣ ምስ መራሒኣ ሠሚሩ ንእትርከብ ናይ ሓዋርያት ድርገት'ውን ተዋሂቡ እዩ"።[46]

**1445** እቲ ምእሳርን ምፍታሕን ዚብል ቃላት ትርጒም ኣለዎ። ካብ'ቲ
553 ሱታፌ-ማኅበርኩም ዘገለልኩምዎ ዘበለ፣ ካብ እግዚኣብሔር'ውን ከምዝተገለለ እዩ፤ ናብ'ቲ ኅብረት-ሱታፌኹም ከምበሓዲሽ ዝተቐበልኩምዎ ድማ እግዚኣብሔር እውን ዳግማይ ናብ'ቲ ሱታፌኡ ኪቕበሎ እዩ። ምስ ቤተክርስትያን ዕርቂ ማለት፡ ምስ እግዚኣብሔር ዕርቂ ማለት እዩ፣ ካብኡ ዘይንጸል እዩ።

## ናይ ምሕረትን ኅድገትን ምሥጢር

**1446** ክርስቶስ ነዚ ምሥጢረ ንስሓ ዝሠርዖ ንኹሎም'ቶም ዝኃጥኡ ኣባላት
979: 1856 ቤተክርስትያኑ፤ ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ነቶም ብድሕሪ ጥምቀት ኣብ ዓቢይ ኃጢኣት
1990 ዝወደቑ'ሞ፣ ንጸጋ-ጥምቀቶም ዘጥፍኡን፣ ናይ ቤተክርስትያን ሱታፌ-ኅብረት ንዘቍሰሉን ኢሉ እዩ። ምሥጢረ ንስሓ ነዚኣቶም ንኺንስሑ ሓዲሽ ዕድል ይኸፍተሎም፣ ነቲ ናይ ጽድቂ ጸጋ ዳግማይ ንኺቕበልዎ የኽእሎም። ናይ

[42] 2 ቆሮ 5፡18
[43] 2 ቆሮ 5፡20
[44] ሉቃ 15፣19፡9 ረአ
[45] ማቴ 16፡19፣ረአ ማቴ 18፡18፣28፡16-20
[46] ብር.ኣሕ. LG 22 § 2

ቤተክርስትያን ኣበው ከኣ፡ ነዚ ምሥጢር'ዚ "ድሕር'ቲ ጸጋ ዘጥፈአ ዕንወት-መርከብ ዝተረኽበ ካልኣይ ናይ ድኅነት መንጸፍ ወይ ዕንጸይቲ" ኪብሉ[47] ይገልጽዎ።

1447 ኣብ ዝሓለፈ ምእተ-ዓመታት፣ ቤተክርስትያን ነዚ ካብ ጐይታ ዝተቐበለቶ ሥልጣን ኣብ ምፍጻም፣ ብፍላይ ኣብ'ቲ ግብራዊ መልክዑ ብዙሕን በብዓይነቱን መደባት ተኸቲላ። ኣብ'ተን ቀዳሞት ምእተዓመታት ብፍላይ ነቶም ብድሕሪ ጥምቀቶም ዓቢይ ኃጢኣት (ኣብነት፡-ኣምልኾ ጣዖት፣ ቅትለት፣ ዝሙት) ዝፈጸሙ፣ ምስ ቤተክርስትያን ንኺዕረቑ ኣዝዩ ጽኑዕ ዝኾነ ሥርዓትን መስርሓትን ኪሓልፉ ነይሮም። ብመሠረት'ዚ ሥርዓት'ዚ እምበኣር እቶም ተነሳሕቲ፡ ዕርቅን ምሕረትን ቅድሚ ምቕባሎም፣ ንዓመታት ዚቕጽል ምእንቲ ኃጢኣቶም ዚፍጽምዎ ግልጺ ዝኾነ፣ ኵሉ ዚርእዮ መደብ ንስሓ ከካይዱ ነበሮም። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ "ሥርዓት ተነሳሕቲ" (ገሊኡ ንዓቢይ ኃጢኣት ጥራሕ ዚርኢ) ዚኣትዉ ገለ ሰባት፣ እሞ ኣዝዩ ፍሉይ ኣብ ዝኾነ ኵነታት፣ ኣብ ገሊኡ ወገናት እሞ ኸኣ ኣብ መዋዕለ-ሕይወትካ ሓንሳብ ጥራሕ'ውን ኪኸውን ይኽእል። ኣብ ሻብዓይ ምእተዓመት ኣቢሉ፡ ካብ ኣየርላንድ ንማእከላይ ኤውሮጳ ዝተንቀሳቐሱ ገሊኦም ልኡኻነ-ወንጌል፣ ንምሥራቓዊ ምንኵስናዊ ትውፊት ተኸቲሎም ነዚ ናይ ንስሓ ውልቃዊ (ግላዊ) ኣገባብ ኣብ ኤውሮጳ ኣተኣታተዉ። ብመሠረት'ዚ ኣገባብ'ዚ እምበኣር፡ ሓደ ተነሳሒ ምስ ቤተክርስትያን ቅድሚ ምትዕራቑ፣ ነዊሕ ግዜ ዚወስድን ግልጽን ንዝኾነ ንጥፈታት መደብ ንስሓ ኪፍጽም ኣይሕተትን። ካብ'ቲ እዋን'ቲ ኣትሒዙ ኸኣ፣ እቲ ምሥጢር ብስቱር ኣገባብ፣ ኣብ መንጎ'ቲ ተነሳሕን ካህንን ጥራሕ ዚፍጸም ኰነ። እዚ ሓዲሽ ኣገባብ፡ ነቲ ምሥጢር ናይ ምድጋም ነገር ኣብ ግምት ዘእተወ ነበረ፤ ምእንት'ዚ ከኣ ነዚ ምሥጢር'ዚ ብሥሩዕን ምዱብን ኣገባብ ንምዝውታሩ መንገዲ ኸፈተ። ንዓቢይ ኃጢኣትን፣ ንኣኡስ ኃጢኣትን ዚወሃብ ፍትሓትን ምሕረትን፣ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ዚፍጸም ሥርዓት ምሥጢረ ንስሓ ኪጠቓለል ፍቑድ ኰነ። በቲ ቐንዲ ዝኾነ ወገናቱ ተራእዩ፣ ቤተክርስትያን ክሳብ ሎሚ ዘዘውተረቶ ናይ ንስሓ መልክዕን መሥርዕን እዚ እዩ።

1448 እዚ ምሥጢር'ዚ ብዝሓለፈ ምእተዓመታት ዝተጻወሮ ናይ ኣገባብን ኣሠራርዓን ለውጥታት ኣሎ። ከንየው'ዚ ለውጥታት'ዚ ግን ሓደ መሠረታዊ ዝኾነ፣ ዘይልወጥ ኣቃውማ ንርኢ። እዚ ኸኣ ብማዕረ ኣገዳሲ ንዝኾነ ክልተ ነገራት የጠቓልል። በቲ ሓደ ወገን፣ ናይ ሰብ ተግባር ኣሎ፣ እዚ ሰብ'ዚ ብስራሕ መንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ብመስርሕ ንስሓን ምምላስን የሓልፍ፣ ማለት ጸጸት (ናብ ኃጢኣት ከይትምለስ)፣ ኑዛዜ (ኃጢኣት ምእማን)፣ ካሕሣ-ኃጢኣት ይፍጽም። በቲ ኻልእ ወገን ድማ፣ ብተልእኮ ቤተክርስትያን ዚፍጸም ስራሕ-ኣምላኽ ንርኢ። እታ ብኣቡንን (ጳጳስ) ብኻህናቱን ገቢራ፣ ብስም ኢየሱስ

[47] ተርቱሊያን De Pænit. 4,2፡ PL 1, 343፣ጉባኤ ትረንቶስ(1547)ደንዚንገር DS:1542 ረአ

ክርስቶስ ኃጢኣት እትኃድግ፣ ኑቲ ኪፍጸም ዘለዎ ካሕሣ-ኃጢኣት እትድንግግን ቤተክርስትያን፣ ምእንት'ቲ ተነሳሒ ክትጽልን፣ ምስኡ ኮይና ክትንሳሕን እትርከብ እያ። ምእንት'ዚ እምበኣር እቲ ተነሳሒ ይፍወስ፣ ከምበሓዲሽ ኣብ'ቲ ናይ ቤተክርስትያን ሱታፌ ይሕወስ።

1449 ኣብ ላቲናዊት ቤተክርስትያን ዜገልግል ጸሎት ፍትሓት፣ ናይ'ዚ
1481 ምሥጢር'ዚ ቀንዲ ወገናት ዚገልጽ እዩ፣ እቲ ኣቦ-ምሕረት (ኣምላኽ) እዩ ናይ
234 ኵሉ ኅድገትን ምሕረትን ምንጪ። ንሱ በቲ ናይ ወዱ ፋሲካን፣ ብህያብ መንፈሱን፣ ብናይ ቤተክርስትያን ጸሎትን ተልእኮትን ገቢሩ ነዚ ናይ ኃጢኣተ ይናታት ዕርቂ ይፍጽሞ፦

እቲ ኣቦ-ምሕረት ዝኾነ ኣምላኽ!
ብናይ ወዱ ሞትን ትንሣኤን ገቢሩ፡
ንዓለም ምስ ርእሱ ኣተዓሪቕዎ፣
ምእንቲ ኅድገት-ኃጢኣት ኢሉ'ውን
ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሌና ኣፈሰሶ፣
ብተልእኮት ቤተክርስትያን ገቢሩ፡
እግዚኣብሔር ምሕረትን ይቕረታን፡
ሰላምን የሃብካ(ኪ)፣
ኣነ'ውን ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን
ካብ ኃጣውእካ(ኪ) እፈትሓካ(ኪ) ኣሎኹ።[48]

# VII. ተግባራት ተነሳሒ

1450 "...እቲ ኃጢኣተይና፡ ንኵሉ ነገር ብትዕግሥቲ ተቐቢሉን ተጻዊሩን ብልቡ ኪጽጸት፣ ብኸናፍሩ ኪእመን ከምኡ'ውን ፍጹም ትሕትና ኬርኢ፣ ፍረ ዘለዎ ካሕሣ ኃጢኣቱ ኪፍጽም፣ መደብ ንስሓ ዚሓቶ እዩ"።[49]

## ጸጸት (ጣዕሳ) ኃጢኣት

1451 ተነሳሒ ኪፍጽሞ ካብ ዘለዎ ተግባራት፦ ጸጸት (ጣዕሳ) ቀዳማይ ቦታ
431 ይሕዝ። ጸጸት ማለት፡ "ነፍሲ ብዝገበረቶ ኃጢኣት ክትሓዝን ከላ፣ ኑቲ ዝፈጸመቶ ኃጢኣት ክትጽየፎ፣ ዳግም ንኸይትምለሶ ኸኣ ቍርጺ ፍቓድ (ውሳኔ) ክትገብር እንከላ እዩ"[50]።

[48] መዓርግ ክህነት OP 46፡ ጸሎተ ፍትሓት
[49] ሮማዊ ትም.ክር. II, V, 21፣ ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1673
[50] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1676

**1452** እግዚኣብሔር ኪፍቀረሉ ካብ ዘለዎ፣ ካብቲ መልዕልተ-ኵሉ ዝኾነ ፍቕሪ እትፍልፍል ጸጸት "ፍጽምቲ" ትበሃል (ናይ ፍቕሪ ጸጸት)። ከምዚ ዝበለት ጸጸት ንንኡስ ኃጢኣት ትድምስስ። ከምኡ'ውን ብዝተኻእለን ብዝቐልጠፈን ናብ ምሥጢረ ኑዛዜ ንምቕራብ ብቱኽ ውሳኔ ኣብ ዝተገብረሉ ኵሉ፣ ብመንፅር ዓቢይ ኃጢኣት'ውን እንተኾነ ኅድገትን ምሕረትን ተውህብ እያ።[51] 1822

**1453** እቲ ምሉእ ዘይኮነ ጸጸት እውን እንተኾነ፡ ካብ ህያብ-ኣምላኽ፣ ካብ ሕኹኽታ መንፈስ ቅዱስ ዚመጽእ እዩ። ንኃጢኣት ካብ ምጽያፍን ምጽላእን፣ ከምኡ'ውን ካብ ፍርሒ ዘለዓለማዊ ኵነኔን፣ ነቲ ኃጢኣተይና ካብ ዘስግኦ ካልእ መቕጻዕትን ብምፍራሕ እትርከብ ጸጸት እያ፤ (ካብ ፍርሒ ዝመጸ ጸጸት)። በዚ ዓይነት'ዚ ዝተናወጸ ኅሊና፣ ሓደ ውሽጣዊ መስርሕ ኣበጊሱ፡ ብናይ ጸጋ ድርኺት ተንቀሳቒሱ፣ ብናይ ምሥጢረ ኑዛዜ ፍትሓት ናብ ፍጻሜኡ ይበጽሕ። እንተኾነ እዚ ዘይምሉእ ጸጸት ብርእሱ ናይ ዓቢይ ኃጢኣት ምሕረትን ኅድገትን ኣየውህብን እዩ፣ ግና ብምሥጢረ ንስሓ ምሕረት ንምርካብ የሰናድወካ ኪበሃል ይከኣል።[52]

**1454** ነዚ ምሥጢር'ዚ ንምቕባል ወይ ንምፍጻም ብብርሃን ቃል-ኣምላኽ ብዝተመርሐ መርመራ ኅሊና ዝተሰነየ ኪኸውን ይግበኦ። ነዚ ዚሰማማዕ ንባባት ድማ ኣብ ዓሠርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔርን ኣብ ወንጌላዊ ጽሑፋትን፣ ናይ ሓዋርያት መልእኽታትን ኣብ ዚርከብ፣ ከም ኣንቀጸ-ብፁዓን ዝበለን፣ ትምህርቲ ሓዋርያትን ሞራላዊ ትምህርትን ኪርከብ ይከኣል።[53]

## ናይ ኃጢኣት ኑዛዜ

**1455** ብሰብኣዊ ኣጠማምታ'ውን እንተኾነ ኃጢኣትና ገሊጽና ክንነግር 1424
ክንናዘዝ ከሎና፣ ሓራ ንወጽእ፣ ምስ ካልኦት ንንፍጽሞ መደብ ዕርቂ ድማ 1734
ኣጸቢቑ የጠጥሓልና። ብኸምዚ ዓይነት ተኣምኖት እምበኣር፡ ሰብ ነቲ በደለይና ዝኾነሉ ኃጢኣቱ ብኵሉ መዳያቱ ይጥምቶ፣ ኃላፍነቱ ይሽከም(ይለብስ) ድሕር'ዚ ሓዲስ መጻኢኡ ንኽጣጥሕ ንኣምላኹ ኮነ፡ ንሱታፌ-ቤተክርስትያን ልቡ ዳግማይ ከርሖ ይርከብ።

**1456** ኣብ እግሪ ካህን ዚፍጸም መደብ ኑዛዜ፣ ናይ ምሥጢረ ንስሓ ቀንድን 1855
ኣገዳስን ወገን እዩ፤ ድሕር'ቲ ጽፉፍ ዝኾነ መርመራ-ኅሊና፣ እቲ ተነሳሒ ዝተረድኦ ዓቢይ ኃጢኣት ኵሉ፣ፈጺሙ ኅቡእን ስቱርን ኮይኑ፣ ነተን መወዳእታ ክልተ ትእዛዛት ዚጥምት'ውን ከይተረፈ፣ኣብ ኑዛዜ ዘርዚሩ ኪነግሮ ትሑዝ እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ ሓድሓደ ግዜ እዚ ከም'ዚ ዝበለ ኃጢኣት ካብ'ቲ ገሊኡ ብግልጺ

[51] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1677 ረአ
[52] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1678፣1705 ረአ
[53] ማቴ 5፡7፣ሮሜ 12-15፣1 ቆሮ 12-13፣ገላ 5፣ኤፌ 4-6፣etc.

ዝተፈጸመ ኃጢኣት ሕልፊ ኣዝዩ ዚኸፍእን ነታ ነፍሲ'ውን ሓደገይና ኮይኑ ዚጐድእን ኪኸውን ዚኽእል እዩ"። [54]

1505 እቶም ናይ ክርስቶስ ምእመናን፡ ነቲ ዚዝክርዎ ዘበለ ኃጢኣቶም ኪናዘዝሉ ኢሎም እንኪተግሁ፣ ብዘይጥርጥር ንዅሉ ኃጢኣቶም ዚኸውን ይቕሬታ ንምርካብ ኣብ እግሪ መለኮታዊት ምሕረት እዮም ዜቐምጥዎ ዘለዉ። እቶም ከምዚ ዘይገብሩ፣ ንገሊኡ ኃጢኣቶም ከይተናዘዝሉ ፈሊጦም ዘትርፍዎ፣ ብመንጎይንነት ካህን ምሕረት ንምርካብ ኣብ ቅድሚ ሕያውነት-ኣምላኽ ናብ ዚግበር ገለ'ኳ ከምዘየምጽኡ እዩ፤ ምኽንያቱ ኸኣ ሓደ ሕሙም ሰብ ናብ ሓኪም ቀሪቡ ከብቅዕ፣ ቍስሉ ንሓኪም ምንጋርን ምርኣይን ዜሕፍሮ እንተደኣኮይኑ፣ እቲ ሓኪም ነቲ ዘይፈልጦ ኪሕክምን ከሕውን ኣይከኣሎን እዩ"። [55]

**1457** ከም ትእዛዝ ቤተክርስትያን፣ "ኣብ ዓቕሚ-ኣእምሮ ዝበጽሐ ነፍስወከፍ
2042 ምእመን እንተወሓደ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ነቲ ክብድ ዝበለ ኃጢኣቱ ኪናዘዘሉ
1385 ይግደድ እዩ።" [56] ዝኾነ ሰብ ዓቢይ ኃጢኣት ከምዝፈጸመ እንተደኣ ተረዲእዎ፣ ኣብ ኑዛዜ ንኺቐርብ ዘየኽእሎ ኵነታት እንተዘይሃልዩ፡ ንኺቘርብ'ውን ዓቢይን ብቑዕን ምኽንያት እንተዘይተረኺቡ፤ ወላ ዓሚቝ ስምዒት ጸጸት የሃልዎ፣ ናብ ኑዛዜ ከይቀረበን፣ ፍትሓት ከይተቐበለን ቅዱስ ቍርባን ኪቕበል ኣይግበኦን። [57] ሕፃናት (ቈልዑ) ንፈለማ ግዜ ቅዱስ ቍርባን ኣብ ዚቕበልሉ፣ ኣቐዲሞም ናብ ምሥጢረ ንስሓ (ኑዛዜ) ኪቐርቡ ይግባእ። [58]

**1458** ብጽኑዕ ዘገድድ'ኳ እንተዘይኮነ፣ በብዕለቱ ንዚፍጸም ጕድለታት (ንኡስ
1783 ኃጣውእ) ምንዛዙ ቤተክርስትያን ኣዕዚዛ እተማሕጽኖ ጉዳይ እዩ። [59] ብርግጽ'ውን እዚ ከምዚ ዝበለ ናይ ንኡስ ኃጢኣት ሥሩዕ (ምዱብ) ኑዛዜ፡ ኅሊናና ክንሠርዕ፤ ተጻይ'ቲ ክፉእ ዝንባሌታት ክንዋጋእ ይሕግዘና፤ ብኽርስቶስ ከምንፍወስን፣ መንፈስ (ቅዱስ) ኣብ ዝዓዘዞ ሕይወት ከምንስጕምን ይገብረና። በዚ ምሥጢር'ዚ ገቢርና ንምሕረት-እግዚኣብሔር-ኣቦ ኣዘውቲርና ብምቕባል እምበኣር፣ ከም'ቲ ንሱ መሓሪ ዝኾነ፣ንሕና'ውን መሓርቲ ክንከውን ንተባባዕ፡- [60]

2468 ኃጢኣቱ ዚናዘዝ ዝኾነ ይኹን ሰብ .....ምስ እግዚኣብሔር ሓቢሩ ኪሰርሕ ይርከብ። እግዚኣብሔር ንኃጣውእካ ይኸስስ፤ ንስኻ'ውን ብወገንካ ክትከሶ እንተተረኺብካ፣ናብ እግዚኣብሔር ተጸንቢርካ ማለት እዩ። ሰብን ኃጢኣትን ክልተ ነገራት እዩ ኪበሃል ይከኣል፤ "ሰብ" ኪበሃል ከሎ፣ እዚ እግዚኣብሔር ዝገበሮ (ዝፈጠሮ) እዩ፣ "ኃጢኣተይና" ኪበሃል እንከሎ ከኣ፣ ሰብ ባዕሉ

[54] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1680 (ND 1626)፣ዘፀ 20፡17፣ማቴ 5፡28 ረአ
[55] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1680 (ND 1626)፣ቅ.ሄሬኒሞስ In Eccl. 10, 11፡ PL 23፡1096 ረአ
[56] ሕገቀኖና፣ቀ. 989፣ጉባኤ ትረንቶስ(1551)ደንዚንገር DS 1683፣ደንዚንገር DS 1708 ረአ
[57] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1647፣1661;ሕገቀኖና፣ቀ. 916፣ ሕገቀኖና ምሥ.ቀ. 711.
[58] ሕገቀኖና፣ቀ. 914 ረአ
[59] ጉባኤ ትረንቶስ፡ ደንዚንገር DS 1680;ሕገቀኖና፣ ቀ. 988 § 2 ረአ
[60] ሉቃ 6፡36. ረአ

> ንዝገበሮ (ኃጢአት) የዘክረካ። እግዚአብሔር ነቲ ባዕሉ ዝፈጠሮ (ሰብ) ምእንቲ ከድኅን፣ ንስኻ (ሰብ) ነቲ ባዕልኻ ዝገበርካዮ (ኃጢአት) ደምስሶ፣... በቲ ክፉእ ተግባራትካ ንርእስኻ ባዕልኻ ትኸስስ ስለዘሎኻ፣ ነቲ ባዕልኻ ዝገበርካዮ ክትጽየፎ እንክትጅምር፡ ሽዑ እቲ ጽቡቕ ተግባራትካ ይጅምር ኣሎ ማለት እዩ። ሠናይ ተግባራት ዚጅምረሉ ኣብ'ቲ ናይ ክፉእ ተግባራት ኑዛዜ ዚፍጸመሉ እዩ። ሓቂ ትፍጽም'ሞ ሽዑ ናብ ብርሃን ትመጽእ።[61]

## ካሕሣ ኃጢአት

**1459** *መብዝሕትኡ ኃጢአትና ንብጻይና (ጐረቤትና) ኪጐድእ ይርከብ።* 2412
*ነቲ ዝተረኽበ ጕድኣት ንምሕዋይ (ንምኽሓስ) ሓደ ሰብ ዚከኣል ዘበለ ኪገብር፣* 2487
*(ኣብነት፡- ዝተሰርቀ ኣቕሓ ምምላስ፣ ጽቡቕ ስሙ ንዘነወርካዮ ሰብ ከተኽብሮ፣* 1473
*ንዝተፈጸመ ጕድኣት ምኽሓስ) የድሊ። እቲ መንም ተራ ዝኾነ መደብ ፍትሒ'ውን ዚሓቶ እዩ። ከምኡ'ውን ኃጢአት፣ ነቲ ኃጢአተይና ብቐንዱ ኮነ፣ ምስ ኣምላኹ ወይ ምስ ብጻዩ ንዘለዎ ርክቡ የሃስዮን የዳኽሞን። እቲ ዚወሃብ ስርየትን ፍትሓትን ንኃጢአት የልግሶ እዩ፤ ነቲ ብሰንኪ ኃጢአት ዝተረኽበ ብልሽውና ግና ፈጺሙ ኣይፍውሶን።[62] ካብ ሃለዋት-ኃጢአት ዝተንሥአ ኃጢአተይና፡ ሕጂ መንፈሳዊ ጥዕናኡ ምሉእ ብምሉእ ክሳብ ዚምለስ፣ ንኃጢአት ዜዓርን ዚኽሕስን ገለ ነገራት ኪገብር ኣለዎ። ካሕሣ-ኃጢአቱ ዚኸውን ኪፍጽም የድልዮ። እዚ መደብ ካሕሣ ንርእሱ ንስሓ ይበሃል።*

**1460** *እቲ ኣበነፍስ ወይ መናዘዚ፡ ንተነሳሒ ዚህቦ ናይ ንስሓ ቀኖና፡* 2447
*ንናይ'ቲ ተነሳሒ ፍሉይ ሃለዋትን ኵነታትን ኣብ ግምት ዘእተወን፣ ናብ መንፈሳዊ* 618
*ረብሓኡ ዝዓለመን ኪኸውን ይግባእ። ብዚከኣል እውን ምስ'ቲ ናይ ዝፈጸሞ ኃጢአት ክብደትን ባሕርያትን ዝተመጣጠነ ኪኸውን ኣለዎ። እዚ መደብ'ዚ፣ ጸሎት፣ገለ ምጽዋት፣ ግብረ-ምሕረት፣ ኣገልግሎት-ብጻይ፣ ብድልየት ዚግበር ርእሰ-ምናኔ፣ ገለ ዓይነት መሥዋዕትነት፣ ልዕሊ ኵሉ ድማ ብመንፈስ ትዕግሥቲ ንዚጽወር መስቀል ዜጠቓልል ኪኸውን ይኽእል። እዚ ዝዓይነቱ መደብ ንስሓ እምበኣር፣ ሓንሳብ ንወትሩ ምእንቲ ኃጣውእና ዝኸሓሰ ክርስቶስ ብምስሉ ርእስና ክንቀርጽ የኽእለና። "ምስኡ ሓሳረ መከራ እንተጸገብና"[63]፣ ምስ'ቲ ዝተንሥአ ክርስቶስ፡ መዋርስቱ ንምኳን ዘኽእለና እዩ።*

> እዚ ምእንቲ ኃጢአትና እንፍጽሞ፡ መደብ ካሕሣ ግን፣ ኣቐዲሙ ብክርስቶስ ከምዘይተፈጸመ፣ ናትና ናይ ብሕትና ተግባር ጥራሕ ኮይኑ ኪግመት የብሉን። ንሕና እዞም ባዕልና ንባዕልና ሓንት'ኳ ክንገብር ዘይንኽእል፣ "ኃይሉ ምስ ዚህበና" (ኣምላኽ) ተሓባቢርና ኵሉ ክንገብር ከምንኽእል ንፈልጥ። ምእንት'ዚ ወድሰብ ኪምክሓሉ ዘለዎ ገለ'ኳ የብሉን፤ ኵሉ ትምክሕትና ኣብ ክርስቶስ እዩ.... ኣብኡ ድማ "ንንስሓ ዚበቅዕ ፍርያት" 2011

---

[61] ቅ.ኣጐስጢኖስ In Jo. ev. 12, 13፡ PL 35, 1491

[62] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1712 ረአ

[63] ሮሜ 8፡17፣ሮሜ 3፡25፣1 ዮሓ 2፡1-2፣ ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1690.

ብምርካብ ካሕሣና ንፍጽም። እዚ ፍርያት'ዚ ከኣ ብቕዓት ዚህልዎ ሳላኡ እዩ፤ ብክርስቶስ ድማ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ይቐርብ፣ ብክርስቶስ ኣቢሉ እውን ብእግዚኣብሔር-ኣቦ ተቐባልነት ይረክብ።[64]

## VIII. ነዚ ምሥጢር'ዚ ዚሠርዕ ልኡኽ

**1461** ነዚ ናይ ዕርቂ ተልእኮት (ኣገልግሎት) ክርስቶስ ንሓዋርያት ሕድሪ
981 ስለዝሃቦ[65]፣ እቶም ተካእቶም ዝኾኑ ኣቡናትን (ጳጳሳትን) ተሓባበርቲ-ኣቡናት ዝኾኑ ካህናትን፣ ነዚ ተልእኮት'ዚ (ኣገልግሎት) ኪቕጽልዎ ይርከቡ። ብርግጽ'ውን እዞም ጳጳሳትን ካህናትን፡ ሳላ'ቲ ዝተቐበልዎ ምሥጢር ቅዱስ መዓርጋት፣ ንዅሉ ኃጢኣት "ብስም ኣብን፡ ወልድን መንፈስ ቅዱስን" ንኺምሕሩ ሥልጣን ተዋሂቦም እዮም።

**1462** ኀድገት-ኃጢኣት፡ ምስ እግዚኣብሔር ኮነ፡ ምስ ቤተክርስትያን ዕርቂ
886 የምጽእ። ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ድማ፡ ናይ'ታ ሰበኻዊት ቤተክርስትያን ርኡይ
1567 መራሒ ዝኾነ ኣቡን (ጳጳስ)፣ ብቐዳምነት ዕርቂ ንምፍጻም ሥልጣንን ተልእኮትን ዘለዎ ኮይኑ ብዚግባእ ኪሕሰብ ጸኒሑ ኣሎ፤ ንሱ ነቲ ሥርዓተ ንስሓ ዘመሓድርን ዘወሃህድን እዩ።[66] ሕጊ ቤተክርስትያን ብዚእዝዞ ድማ፣ እቶም ናይ ኣቡን ተሓጋገዝቲ ዝኾኑ ካህናት፣ ነቲ ተልእኮት ካብ ኣቡን (ወይ ካብ'ቲ ሓለቓ ማኅበር) ወይ ካብ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ከም ዝተቐበልዎ መጠን ኪፍጽምዎ ይርከቡ።[67]

**1463** ፍሉይ ዝኾነ ገሊኡ ዓቢይ ኃጢኣት ውግዘት ዜስዕብ እዩ። ውግዘት
982 ማለት ከኣ እቲ ኣዝዩ ጽኑዕ ዝኾነ ናይ ቤተክርስትያን መቕጻዕቲ ኮይኑ፣ ምሥጢራት ንምቕባል ዚዓግት፣ ገሊኡ ናይ ቤተክርስትያን ተግባር (ሥልጣን) እንካብ ምፍጻም ዚኽልክል፣ ብመሠረት ሕገ ቀኖና ድማ፣ ብርእሰ ሊቃነጳጳሳት፣ ወይ ብናይ'ቲ ቦታ ኣቡን ወይ ከኣ በዚኣቶም ብዝተመዘዙ ካህናት እንተዘይኮይኑ፣ ፍትሓትን ስርየትን ብኽምኡ ዘይወሃበሉ እዩ።[68] ሓደጋ-ሞት ኣብ ዜጓንፈሉ ግን፡ ዝኾነ ካህን፣ እቲ ኑዛዜ ኪሰምዕን ኪፍጽምን ሥልጣኑ ዝተኸልከለ'ውን ከይተረፈ፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ኃጢኣትን ውግዘትን ኪፈትሕ ይኽእል።[69]

---

[64] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1691፣ ፊልጵ 4፡13፣1 ቆሮ 1፡31፣2 ቆሮ 10፡17፣ገላ 6፡14፣ሉቃ 3፡8
[65] ዮሓ 20፡23፣2 ቆሮ 5፡18 ረአ
[66] ብር.ኣሕ. LG 26 § 3 ረአ
[67] ሕገቀኖና፣ ቀ. 844፣967-969፣972፣ሕገቀኖና ምሥ. ቀ. 722 §§3-4 ረአ
[68] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1331፣1354-1357፣ሕገቀኖና ምሥ. ቀ. 1431፣1434፣1420 ረአ
[69] ሕገቀኖና፣ ቀ. 976፣ሕገቀኖና ምሥ. ቀ. 725 ረአ

**1464** ምእመናን ናብ'ዚ ምሥጢረ ንስሓ ንኺመጽኡ፡ ካህናት ብዚግባእ የተባብዑዎም። ከምኡ'ውን ክርስትያን ብብቑዕ ምኽንያት ኣብ ዚሓቱሉ ኵሉ ካህናት ነዚ ምሥጢረ ንስሓ ንኺፍጽሙሎም ስንድዋትን ትጉሃትን ኪኾኑ የድሊ።[70]

**1465** ካህን፣ ነዚ ምሥጢረ ንስሓ ኣብ ዚሠርዓሉ (ዚዕድለሉ) ኵሉ፣ 983
ዝጠፍኣት በጊዕ ናይ ዚደሊ ሕያዋይ ጓሳ፣ ቍስልታት ናይ ዚፍውስ (ዚዝንን) ሕያዋይ ሣምራዊ፣ ንበታኺ ወዱ ናይ ዚጽበን፣ ምምላሱ ናይ ዚቕበልን ኣቦ፣ ከምኡ'ውን ብፍርዱ ፍትሓውን መሓርን ናይ ዝኾነ፣ ናይ'ቲ ርቱዕን ዘየዳሉን ዳይና ተልእኮት (ኣገልግሎት) ይፍጽም። እግዚኣብሔር ብመንፅር'ቲ ኃጢኣተይና ንዘለዎ ምሕረት ዝዓዘዞ ፍቕሩ፣ ካህን ናይ'ዚ ምልክትን መጋበርን እዩ።

**1466** ኣበነፍስ ወይ መናዘዚ ናይ ምሕረት-ኣምላኽ ዋና ዘይኮነስ፡ ኣገልጋሊኡ 1551
እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ፡ እቲ ምሥጢረ ንስሓ ዚሠርዕ ላእክ (ካህን) ኣብ ናይ ክርስቶስ 2690
ኅሊናን ፍቕርን፡ ርእሱ ከወሃህድ ይግበኦ።[71] ናይ ክርስትያናዊ ጠባያትን ኣከያይዳን ምኩር ፍልጠት ዘለዎ፣ ናይ ሰብኣዊ ነገራትን ኵነትን ዚኣክል ትዕዝብቲ ዝወሰደ፣ ብመንፅር'ቲ ዝወደቐ (ብኃጢኣት) ሰብ ስኽፍታን ኣኽብሮትን ዜርኢ፣ ንሓቂ ዜፍቅር፣ ንናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት ዜኽብር፣ ነቲ ተነሳሒ ድማ ብትዕግሥትን ብህድኣትን መሪሑ ናብ ሕውየትን ምሉእ ብስለትን ዜብጽሕ ኪኸውን ይግበኦ። ነቶም ደቂ ንስሓኡ ናብ ምሕረት-ኣምላኽ ኣማሕጺኑ ምእንትኦም ኪጽልን፡ ንስሓ ኪኣቱን ኣለዎ።

**1467** እዚ ተልእኮት'ዚ (ኣገልግሎት'ዚ) ሕንቁቕን ርዝነት ዝመልኦን፣ 2490
ንሰባት'ውን ኣኽብሮ ኪወሃበሉ ዚግበኦን ብምዃኑ፣ ኑዛዜ ዚቕበልን ዚሰምዕን ዘበለ ዝኾነ ይኹን ካህን፣ብዛዕባ'ቲ ደቂ-ንስሓኡ ዝገለጽዎን ዝዘርዘርዎን ኃጣውእ ብዘይትንከፍ ምሥጢራውነት ብዝለዓለ ደረጃ ኪዕቅቦ፡ ብጽኑዕ መቕጻዕቲ ከም ዚግደድ ቤተክርስትያን ትእውጅ። ኣብ መንበረ-ኑዛዜ ንዝፈለጠ ናይ ተነሳሕቲ ሕይወት ንዝኾነ ይኹን ኵነታት ኪጥቀመሉ ኣይክእልን።[72] እዚ ምሥጢራውነት'ዚ ዝኾነ ይኹን ሕድገት ዘየፍቅድ፣ "ማኅተመ-ምሥጢር" ዚበሃል እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ እቲ ተነሳሒ ንካህን ዝገለጾ ዘበለ ኵሉ፡ በቲ ምሥጢር "ኅቱምን" ስቱርን ኮይኑ እዩ ዚተርፍ።

# IX. ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ፍርያት

**1468** ናይ ምሥጢረ ንስሓ ምሉእ ኃይሉን ክእለቱን፣ ነኣና ናብ ጸጋ- 2305
እግዚኣብሔር ስለዚመልስን፡ ምስኡ ንዘተኣሳስረና ዓሚቍ ፍቕሪ (ዕርክነት)

---

[70] ሕገቀኖና፣ ቀ. 986፣ሕገቀኖና ምሥ. ቀ. 735፣PO 13. ረአ
[71] Cf. PO 13 .
[72] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1388 § 1፣ሕገቀኖና ምሥ. ቀ. 1456 ረአ

ስለዜሓድስን እዩ።[73] ምእንት'ዚ ከኣ፡ ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ዕላማን ውጽኢትን ምስ እግዚኣብሔር ዕርቂ እዩ። ነዚ ምሥጢረ-ንስሓ ብዝተጣዕሰ ልብን፡ ብመንፈሳዊ ኣተናን ዚፍጽምዎ ዘበሉ ኵሎም፣ ናይ ኅሊና ሰላምን ቅሳነትን፣ ዕዙዝ መንፈሳዊ ምጽንናዕን ዜጨብጥ ዕርቂ ይረኽቡ።[74] ብሓቂ'ውን እዚ ምስ እግዚኣብሔር ዜተዓርቕ ምሥጢር፡ ሓቀይና ዝኾነ "ትንሣኤ-መንፈስ" ዜምጽእ፣ ኣዝዩ ክቡርን ልዑልን ዝኾነ ዕርክነት-ኣምላኽ ዘፍሪ፣ ናይ ደቂ-እግዚኣብሔር ሕይወት-ክብርን በረኸትን መሊሱ ዜውህብ እዩ።[75]

**1469** እዚ ምሥጢር'ዚ ምስ ቤተክርስትያን ዜተዓርቐና'ውን እዩ። ኃጢኣት
953 ንኅውነታዊ ሱታፌን ኅብረትን ዚሃሲ ጥራሕ ዘይኮነስ ዚበትኽ'ውን እዩ።
949 ምእንት'ዚ ኸኣ ምሥጢረ ንስሓ ነዚ የዓርዮን፣ ናብ ንቡር ይመልሶን። በዚ
ዓይነት'ዚ ናብ ናይ ቤተክርስትያን ሱታፌ-ኅብረት ንዝተመልሰ፣ ምፍዋስ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ካብ ኣባላታ ብናይ ሓደ ኃጢኣት ብዝወረደ መጕዳእቲ ንዝተሣቐየት ቤተክርስትያን እውን፡ ኣብ ሕይወታ ዳግማይ ምሕዳስን መንፈሳዊ ምንቅስቓስን ዜምጽእ ፍረ ኣለዎ።[76] ኣብ ሱታፌ-ቅዱሳን ዳግም ዝተሠረተን፣ ደልዲሉ ዝረገጸን ኃጢኣተይና፣ እቶም ኣብ ንግደት (ጕዕዞ) ዘለዉ ኮነ፣ ድሮ ኣብ'ታ ሰማያዊት ቤት ዝተመሓደሩ ሕያዋን ኣባላት ኣካል-ክርስቶስ፣ ኣብ መንጎኦም ካብ ዚግበር ናይ መንፈሳዊ ጸጋታት ምልውዋጥ ብዚረኽቦ ኃይሊ ኣዝዩ ዝደልደለን ዝተረረን ኮይኑ ይርከብ።[77]

> እዚ ምስ ኣምላኽ ዚርከብ ዕርቂ ንርእሱ ነቲ ኻልእ ብሰንኪ ኃጢኣት ዝመጽአ ምብትታኽ ናብ ዜተዓራሪ ካልእ ዕርቂ'ውን ዚመርሕ ምዃኑ..... ኪዝከር ይግበኦ። እቲ ዝተማሕረ ተነሳሒ ኣብ ውሽጢ ኅሊናኡን ህላዌኡን፡ ዕምቈትን ሓቅነትን ኣብ ዚዕቅበሉ ልቡ፣ ምስ ርእሱ ከይተረፈ ኪዕረቕ ይርከብ። ብገለ ዓይነት ኣገባብ ምስ ዝበደሎምን ዝሃሰዮምን ኣኅዋቱ እውን ዕርቂ ይተክል። ምስ ቤተክርስትያን ይዕረቕ፣ ምስ መላእ ፍጥረት ይዕረቕ።[78]

**1470** በዚ ምሥጢር'ዚ ገቢሩ፡ እቲ ኃጢኣተይና ንርእሱ ኣብ ቅድም'ቲ
678 ምሕረት ዝመልኦ ፍርዲ-ኣምላኽ ብምግባር፣ ብገሊኡ መዳይ ነቲ ኣብ ምዝዛም
1039 ምድራዊ ሕይወቱ ኪቕበሎ ዘለዎ መደብ-ፍርዲ ሕጂ ከቕድሞ ይርከብ። ምኽንያቱ
ከኣ፣ ኣብ መንጎ ሕይወትን ሞትን ክንመርጽ ዕድል ዝተዋህበና ሕጂ ኣብ'ዚ ምድር'ዚ እዩ፤ ብሰንኪ ዓቢይ ኃጢኣት ካብኡ ክንስጐጕ ናብ ዚከኣል፣ ናብ መንግሥተ ሰማይ ክንኣቱ እንኽእል ድማ፡ ብመንገዲ ንስሓን ምምላስን ጥራሕ

[73] ሮማዊ ትም.ክር. II, V, 18.
[74] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1674.
[75] ሉቃ 15፡32 ረኣ
[76] 1 ቆሮ 12፡26 ረኣ
[77] ብር.ኣሕ. LG 48-50 ረኣ
[78] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ RP 31, 5.

እዩ።[79] ሓደ ኃጢኣተይና ብንስሓን ብእምነትን ናብ ክርስቶስ ኪምለስ እንከሎ፣ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ይሳገር ደኣ'ምበር "ኵነኔ ኣይኪረኽቦን እዩ"።[80]

## X. ስርየት ኃጢኣት

**1471** ቤተክርስትያን እትኽተሎ ናይ ስርየት ኃጢኣት ትምህርተ-እምነትን፣ እተዘውትሮ ተግባራትን ኩሉ ምስ ፍርያት ምሥጢረ ንስሓ ዝተኣሳሰረ እዩ።

### ስሬት-ኃጢኣት እንታይ ማለት እዩ?

ስሬት-ኃጢኣት ኪበሃል ከሎ፣ ንዝተማሕረ ኃጢኣት ስዒቡ ኪመጽእ ዝነበሮ ግዜያዊ (ምድራዊ) መቕጻዕቲ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከምዝተሰረዘ ዜመልክት እዩ። እዚ ማለት ከኣ፣ ሠራዒት ድኅነት ዝኾነት ቤተክርስትያን፣ ንናይ ክርስቶስን ቅዱሳኑን መዝገበ-ካሕሣ ክትዕድልን ከተደላድልን ብዝተዋህባ ሥልጣን መሠረት፣ ንዝመደበቶ ፍሉጥ ተግባራትን ኵነታትን፣ ብዚግባእ ዝፈጸመ ክርስትያን-ምእመን ዚረኽቦ ዕድል እዩ።[81]

"እቲ ብሰንኪ ኃጢኣት ዚመጽእ ግዜያዊ (ምድራዊ) መቕጻዕቲ ብኽፊል፡ ወይ ብምሉኡ ዚድምሰስ ስለዝኾነ፣ ስሬት-ኃጢኣት ከከም ኵነቱ ከፊል ወይ ምሉእ ኮይኑ ይርከብ"።[82] ምእመናን ንስሬት-ኃጢኣት ንርእሶም ኪረብሑሉ፣ ወይ ከኣ ናብ ሙታን ከውዕልዎ ይኽእሉ። (CIC, can. 994)

### መቕጻዕቲ ኃጢኣት

**1472** ነዚ ናይ ቤተክርስትያን ትምህርተ-እምነትን ግብራዊ መደባትን ንምርዳእ፣ ኃጢኣት ድርብ ሳዕቤን (ውጽኢት) ከምዘለዎ ምፍላጥ የድሊ። ምስ 1861
ኣምላኽ ኪህልወና ንዚኽእል ሱታፌ-ኅብረት ዚኽልክለና ዓቢይ ኃጢኣት፤ 1031
ምእንት'ዚ ኸኣ፣ ዘለዓለማዊ ሕይወት ከምዘይንወርስ ይገብረና፤ ዘለዓለማዊ ሕይወት ምስኣን ድማ፡ ናይ ኃጢኣት "ዘለዓለማዊ መቕጻዕቲ" እዩ።..... ብኻልእ ወገን ከኣ፡ ዝኾነ ይኹን ኃጢኣት፣ ንኡስ'ውን ይኹን፣ ምስ ፍጡራን ዚግበር ዘይሥሩዕን ጥቡቕን ርክብ ዜስዕብ ኮይኑ፣ ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ኮነ፣ ድሕሪ ሞት ኣብ ቦታ-ንስሓ ክንነጽሓሉ ዚግበኣና እዩ። እዚ ምንጻሕ'ዚ ንሓደ ሰብ ካብ'ቲ ናይ ኃጢኣት "ግዜያዊ መቕጻዕቲ" ዚበሃል ናጻ ይገብሮ። እዚ ክልቲኡ መቅጻዕቲ ግን ካብ ወገን እግዚኣብሔር ዝመጽኤ ዓይነት በቐል ዘይኮነስ፣ ካብ'ቲ ባሕርይ-ኃጢኣት ብቐንዱ ከምዚመጽእ ኪሕሰብ ይግበኦ። ካብ'ቲ ምዉኽን ውዕዉዕን

---

[79] 1 ቆሮ 5፡11፣ገላ 5፡19-21፣ራእ 22፡15 ረአ
[80] ዮሓ 5፡24
[81] ጳውሎስ 6ይ ሓዋርያዊ ሥርዓት ብዛዕባ ስሬት ኃጢኣት Indulg.doctrina, Norm 1.
[82] ብዛዕባ ስሬት ኃጢኣት Indulg.doctrina, Norm 2፣Norm 3 ረአ

ፍቕሪ ዚፍልፍል ንስሓን ምምላስን፣ ነቲ ኃጢኣተይና ምሉእ ምንጻሕ ከጨብጦ ይኽእል፣ በዚ ዓይነት'ዚ ድማ ከይተደምሰሰ ዚተርፍ፣ ዝኾነ ይኹን መቕጻዕቲ የልቦን።[83]

**1473** ጎድገት-ኃጢኣት ምርካብን፣ ምስ እግዚኣብሔር ዚህሉ ሱታፌ
2447 ምምላሱን፡ ንናይ ኃጢኣት ዘለዓለማዊ ቅጽዓት የልግሶ፣ እቲ ናይ ኃጢኣት ግዜያዊ ቅጽዓት ግን ይጸንሕ። ንዅሉ ዓይነት ሥቓያትን ፈተናታትን ብትዕግሥቲ እናጸወረ፣ መዓልቱ ምስበጽሐ ንሞት ብህድኣት ብምቅብባል፣ ሓደ ክርስትያን፡ ነዚ ናይ ኃጢኣት ግዜያዊ መቕጻዕቲ፡ መጠን ጸጋ ንምቕባሉ ኪጽዕር ይግበኦ። ነዚ ጻዕር'ዚ ዚፍጽሞ ከኣ፣ ግብረ-ምሕረትን፣ ግብረ ሠናያትን (ፍቕርን) ብምዝውታር፣ ብጸሎትን፡ ብዝተፈላለየ ናይ ንስሓ ተግባራትን፣ ነቲ "ኣረጊት ሰብ" ፈጺሙ ኣውፂኡ ብምድርባይን ነቲ "ሓዲስ ሰብ" ብምልባስን እዩ።[84]

## ብሱታፌ ቅዱሳን

**1474** ካብ ኃጢኣቱ ንኪነጽሕ፣ ብጸጋ-ኣምላኽ ድማ ቅዱስ ንኪኸውን
946-959 ዚጋደል ክርስትያን፣ ኣብ'ዚ ጻዕር'ዚ በይኑ ኣይኮነን ዘሎ። "ናይ ነፍስወከፍ
795 ውሉድ ኣምላኽ ሕይወቱ፣ ብክርስቶስን ኣብ ክርስቶስን፡ እሞ ብዜደንቕ ኣገባብ፡ ኣብ'ቲ ናይ ምሥጢራዊ ኣካል-ክርስቶስ መልዕልተ-ባሕርያዊ ሓድነት ልክዕ ከም ሓደ መንፈሳዊ ኣካል፣ምስ ሕይወት ኵሎም ክርስትያን፡ኣኀዋት ዝተኣሳሰረት እያ።"[85]

**1475** በዚ መደብ ሱታፌ ቅዱሳን፣ "ኣብ መንጎ'ቶም ድሮ ኣብ ሰማያዊ ቤቶም ዚርከቡ ምእመናንን፣ ኣብ መንጎ'ቶም ኣብ ቦታ-ንስሓ ኮይኖም ዛጊት ካሕሣ ኃጢኣቶም ዚፍጽሙ ዘለዉን፡ ጋና ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ኣብ ንግደት ዘለዉን ኵሎም፣ ነባር ዝኾነ ናይ ፍቕሪ ማእሰር ኣሎ። ኣብ መንጎኦም ድማ፡ ናይ ኵሉ ሠናያት ኣዝዩ ዝዓዘዘ ምልውዋጥን ምርድዳእን ኣሎ።"[86] ኣብ'ዚ መስተንክራዊ ምልውዋጥ ከኣ፡ ናይ ሓደ ሰብ ኃጢኣት ንካልኦት ካብ ዚሃስዮ ሓሊፉ፣ ልዕሊኡ ዚኸይድ፣ ናይ ሓደ ቅድስና'ውን ንኻልኦት ከርብሕ ምርካቡ እዩ። ምእንት'ዚ እምበኣር፡ ነቲ ዚጠዓስ ኃጢኣተይና ኣብ ሱታፌ-ቅዱሳን ምጽጋዕ ማለት፣ ግቡእን ብቑዕን ዝኾነ ናይ ኃጢኣት ምንጻሕ ንምርካብ የኽእሎ ማለት እዩ።

**1476** ነዚ ናይ ሱታፌ ቅዱሳን መንፈሳዊ ቁምነገራት፡ "መዝገብ (ሃብቲ)
617 ቤተክርስትያን" ኢልና ንሰምዮ። እዚ ግን "ናይ'ቲ ዅሉ ብኣማኢት ዓመታት ዝተዋሃለለ ግዙፍ ነገራት ድምር ኣይኮነን። እኳ ደኣ ብተጻዩ፣ መዝገብ (ሃብቲ) ቤተክርስትያን ኪበሃል እንከሎ፣ ነቲ ተቐዲሑ ዘይጽንቀቕ፣ መወዳእታ ዘይብሉ፣

---

[83] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1712-1713፣(1563)፡ 1820 ረኣ
[84] ኤፌ 4፡22፣ 24
[85] ብዛዕባ ስሬት ኃጢኣት Indulg.doctrina, 5
[86] ብዛዕባ ስሬት ኃጢኣት Indulg.doctrina, 5.

ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ፣ ክርስቶስ ዘፍረየልና መንፈሳዊ ቍምነገራት ዜስምዕ እዩ። እዚ መንፈሳዊ ነገራት'ዚ ዝተዋህበ ከኣ፡ መላእ ዓሌትሰብ ካብ ኃጢኣት ሓራ ወፂኡ፡ ምስ እግዚኣብሔር-ኣቦ ሱታፌ ንኺጭብጥ እዩ። መቤዝው ኣብ ዝኾነ ክርስቶስ ብቐንዱ፣ እቲ ናይ ቤዛውነቱ ካሕሣን ዓስብን ህልው ይኸውን፡ ብኽቕዓቱ'ውን ይረክብ።"[87]

1477 "እቲ ናይ ብፅዕት ድንግል ማርያም ጸሎታትን ሠናይ ተግባራትን እውን ከይተረፈ ኣብ'ዚ መዝገብ' (ሃብት'ዚ) እቱው እዩ። እዚ'ውን በሓቂ ስፍሓቱ ዘይልካዕ፡ ዕምቈቱ ዘይብጻሕ፣ ብቍምነገርነቱ ድማ ወትሩ ሓዲስን ጥንታውን ኮይኑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዚርከብ እዩ። ከምኡ'ውን እቲ ናይ ኵሎም ቅዱሳን ጸሎታትን ሠናይ ተግባራትን፡ ኣብዚ መዝገብ'ዚ ክቱት እዩ። እዚኣቶም፡ እቶም ኣሰር ክርስቶስ ጐይታና ተኸቲሎም፣ ብጸጋኡ ኣቢሎም፣ ሕይወቶም ዝቐደሱን፣ እግዚኣብሔር-ኣቦ ሕድሪ ንዝሃቦም ተልእኮ ሒዞም ዝተንቀሳቐሱን እዮም። በዚ ኣገባብ'ዚ እምበኣር፡ ገዛእ ድኅነቶም ይጭብጡ፤ ምስኡ ማዕረ ማዕረ ድማ፣ ብሓድነት ምሥጢራዊ ኣካል-ክርስቶስ ኣኀዋቶም ንዝኾኑ ኵሎም ኣብ ድኅነቶም ኪተሓባበሩ ይረኣዩ"።[88] 969

## ስሬት ኃጢኣት ብቤተክርስትያን፣ ካብ እግዚኣብሔር ይወሃበና

1478 ስሬተ-ኃጢኣት ኪርከብ ዚከኣል ብቤተክርስትያን ኣቢልካ እዩ። ናይ'ቲ ብሰንኪ ኃጢኣት ዚስዕብ ግዜያዊ (ምድራዊ) ቅጽዓት ምሕረት፣ ካብ'ቲ ኣቦ-ምሕረት (ኣምላኽ) ንምርካብ፣ ብ'ክርስቶስ ኢየሱስ ኣብ ዝተዋህባ ናይ ምእሳርን ምፍታሕን ሥልጣን ተመርኵሳ፣ ቤተክርስትያን ምእንቲ ረብሓ ክርስትያን ምእመናን፡ ነቲ ናይ ክርስቶስን ቅዱሳኑን መዝገብ ትሩፋት ክትከፍተሎም ትርከብ። ምእንት'ዚ ከኣ ቤተክርስትያን፡ ነዞም ክርስትያን'ዚኣቶም ትሕግዞም ጥራሕ ዘይኮነትስ፣ ንግብረ መንፈሳውነትን ንስሓን ግብረሠናያትን ትጕስጕሶም።[89] 981

1479 እቶም ዝሞቱ'ሞ፡ ኣብ መስርሕ ምንጻሕ ዚርከቡ ምእመናን'ውን ናይ'ቲ ሱታፌ-ቅዱሳን ኣባላት ስለዝኾኑ፣ ንኣኣቶም እንሕግዞሉ ሓደ መንገዲ፣ እቲ ብሰንኪ ኃጢኣቶም ዚመጽኦም ግዜያዊ ቅጽዓት ምእንቲ ኪስረዘሎም፣ ስሬት-ኃጢኣት ከምዚረኽቡ ምግባር እዩ። 1032

[87] ብዛዕባ ስሬት ኃጢኣት Indulg.doctrina, 5
[88] ብዛዕባ ስሬት ኃጢኣት Indulg.doctrina, 5
[89] ብዛዕባ ስሬት ኃጢኣት Indulg.doctrina, 5 ረአ

## XI. ሥርዓት (ኣፈጻጽማ) ምሥጢረ ንስሓ

**1480** ከም ኵሎም ምሥጢራት፣ ምሥጢረ ንስሓ ሓደ (ሊጡርግያዊ) ግብረ ኣምልኾኣዊ ስራሕ እዩ። ናይ'ቲ ሥርዓትን ኣፈጻጽማኡን ቀንዲ ልሙድ ነገራት እዚ ዚስዕብ እዩ፣ በቲ ካህን ዚወሃብ ሰላምታን ቡራኬን፣ ንኣሊና ዜብርህን ጸጸት (ማዕሳ) ዜለዓዕልን ንባብ ቃል-ኣምላኽ ይስዕብ፣ ንንስሓ ዜተባብዕ ማዕዳ'ውን ይኽተሎ። ድሕር'ዚ ተነሳሒ ኃጢኣቱ ዚእመነሉን፣ ንካህን ዚዝርዝረሉን መደብ ይፍጸም፣ ቀጺሉ ቀኖናን ካሕሣን ይእዘዘሉ'ሞ፡ ይቕበል፣ ድሕሪ ኸው ናይ ካህን ፍትሓት ይወሃብ። ኣብ መወዳእታ፡ ናይ ምስጋናን ውዳሴ-ኣምላኽን ጸሎት ተደጊሙ፣ ብናይ ካህን ቡራኬ ይዛዘም።

**1481** ሥርዓት-ኣምልኾ ቢዛንቲን፡ ኣብ'ቲ ብመልክዕ ምህለላ ዚግለጽ
1449 ኣደናቒ ዝኾነ ምሥጢር ምሕረት፣ በብዓይነቱ ጸሎት ፍትሓት ኣለዎ፡- "ብኃጢኣቱ ምስተኣመነ ንዳዊት ብናታን ነቢይ ገቢሩ ዝመሓረ፣ ኣምሪሩ ምስበኸየ ንጴጥሮስ፣ ብንብዓታ እግሩ ምስ ሓጸበት፡ ነታ ዘማዊት፣ ነቲ በታኒ ወዲ ኮነ፣ መጸብሓዊ (ተጋዊ)፣ ነዚኣቶም ኵሎም ዝመሓረ ኣምላኽ፣ ነኣኻ'ውን (ነኣኺ'ውን) በኣይ ብኃጢኣተይና ገቢሩ፡ ኣብ'ዚ ሕይወት'ዚ ኮነ ኣብ ዚመጽእ ይምሓርካ (ይምሓርኪ)፤ ብፍርሃትን ረዓድን ኣብ እትቐርበሉ መንበረ-ፍርዱ'ውን ብዘይኵነኔ ከምትቐውም ይግበርካ(ኪ)፤ ንሱ ንዘለዓለም ዓለም ቡሩኽ እዩ፤ ኣሜን"።

**1482** ምሥጢረ ንስሓ፡ ኣብ ናይ ማኅበራዊ ሥርዓት ኵነታት'ውን ኪፍጸም
1140 ይከኣል እዩ። ኣብ'ዚ ብማኅበር ዚፍጸም ኣገባብ፣ ብሓባር ኮይንና ንኑዛዜ ንሰናዶ፣ ምእንት'ቲ ዝተቐበልናዮ ምሕረት ድማ ከምኡ ብሓባር ነመስግን። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኵነታት፡ እቲ ናይ ውልቂ ኑዛዜ-ኃጢኣትን፡ ፍትሓትን፡ ኣብ'ቲ ብንባባትን ስብከትን ዝተሰነየ መደብ ቃል-ኣምላኽ (ሥርዓት ቅዳሴ)፣ ኣብ'ቲ ብሓባር ዚፍጸም መርመራ-ኅሊና፣ ምሕረት ንምርካብ ኣብ ዚግበር ሓባራዊ ምህለላ፣ ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያትን፡ ኣብ'ቲ ናይ ሓባር ምስጋናን ተሰዂዑ ይርከብ። እዚ ማኅበራዊ ሥርዓትን ኣፈጻጽማን እምበኣር፡ ንናይ ምሥጢረ ንስሓ (ማኅበራዊ) ቤተክርስትያናዊ መልክዕ ኣነጺሩ ይገልጽ። ዝኾነ ኾይኑ፣ ብዛዕባ ኣፈጻጽማኡ ብዘየገድስ፣ ምሥጢረ ንስሓ ብባሕሪኡ ወትሩ ግብረ-ኣምልኾኣዊ ስራሕ እዩ፤ ምእንት'ዚ ከኣ ብግልጽን ብሥርዓትን ዚፍጸም ናይ ቤተክርስትያን ተግባር እዩ።[90]

**1483** ኣዝዩ ኣድላይን ኣገዳስን ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ፣ ብሓባራዊ ኑዛዜን
1401 ሓባራዊ ፍትሓትን ንዚፍጸም ማኅበራዊ ሥርዓት-ዕርቅን ሰላምን ክትክተል ይከኣል እዩ። እቲ ካህን ወይ ካህናት ንናይ ተነሳሕቲ ኑዛዜ በብውልቂ ንምስማዕ ዚኣክል ግዜ ኣብ ዘይብሉ፣ እሞ ኸኣ ናይ ሞት ሓደጋ ኣብ ዘንጠልጠለሉ፣ እዚ ዝዓይነቱ ከቢድ ግድነት ከጋጥም ይከኣል። ቍጽሪ ተነሳሕቲ ኣብ ዝበዝሓሉ፣

---

[90] ቅዱስ ጉባኤ SC 26-27 ረአ

ናይ'ቶም ዘናዝዙ ካህናት ቀኖናዊ ውሒዱ፣ ንነፍስወከፍ ተነሳሒ በብውልቂ ንምስማዕ ዚኣክል ግዜ ኣብ ዘይተረኽበሉ፣ እቶም ተነሳሕቲ ብዘይጕድለቶም ጸጋ-ምሥጢረ ንስሓን ቅዱስ ቍርባንን ንነዊሕ እዋን ኪንፈጎም ስለዚኽእል፣ ኣብ'ዚ ኸም'ዚ ዝበለ'ውን ከቢድ ግድነት ኣሎ ኪበሃል ይከኣል። ኣብ'ዚ ሃለዋት'ዚ እምበኣር፣ እቲ ዚወሃብ ናይ ሓባር ፍትሓት ብቑዕ ንኪኸውን፣ እቶም ምእመናን ኣብ ግቡእ ግዜ ንዓቢይ ኃጢኣቶም ብግሊ (ብውልቂ) ኪናዘዝሉ፡ መደብ ወይ ኀሊና ኪህልዎም የድሊ።[91] ንኸም'ዚ ዝበለ ናይ ሓባር ፍትሓት ዚበቅዕ ወይ ዜድሊ ኵነታት ምህላዉን ዘይምህላዉን ኪውስን ዘለዎ፣ እቲ ናይ ሰበኻ ኣቡን እዩ።[92] ኣብ ናይ ዓበይቲ በዓላትን ንግደታትን ኵነታት፣ ብዝሒ ዝበሉ ምእመናን ምትእኽኻቦም ንርእሱ ከም ከቢድ ግድነት ኪውሰድ ኣይከኣልን።[93]

1484 "ግዙፍ ወይ ከኣ ሞራላዊ ዝኾነ ብቑዕ መኸላእታ ካብኡ ኣታሪፉና 878
እንተዘይኮይኑ፣ እዚ ብውልቂ ዚግበር ምሉእ ሥሩዕ ኑዛዜን ፍትሓትን፣ ምእመናን ምስ ኣምላኽን ምስ ቤተክርስትያንን ዚዕረቑሉ፣ እቲ ንቡርን ልሙድን ኣገባብ ኮይኑ ዚቕጽል እዩ"።[94] እዚ ኸኣ ምኽንያታቱ ዓሚቝን ረቂቕን እዩ። ክርስቶስ በቲ ምሥጢራቱ ኣብ ነፍስወከፍ ኪሰርሕ ይርከብ። ንነፍስወከፍ ኃጢኣተይና ባዕሉ ብኣካል ቀሪቡ፣ "ወደየ! ኃጢኣትካ ተኃዲጉልካ እዩ"[95] ይብሎ። ከሕውዮም ንዚደልዩዎ ሕሙማን፣ ድንን ኢሉ ንነፍስወከፎም ዚከናኸን ሓኪም እዩ።[96] ከተንሥኦምን ኣብ'ቲ ናይ ኣኀዋት ኀብረት ኪጽንብሮምን ይርከብ። ውልቃዊ ኑዛዜ (ሥርዓተ ንስሓ) እምበኣር፣ ነቲ ምስ ኣምላኽን ምስ ቤተክርስትያንን ዚትከል ዕርቂ ብዝበለጸ ዚገልጽን ዜረጋግጽን ምኽኑ እዩ።

---

## ብሓጺሩ

1485 "በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን፣ ምድሪ ምስ መሰየ፣".... ኢየሱስ ኣብታ ተኣኪቦምላ ዝነበሩ መጽአ፣ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ ድማ፣...ኡፍ በሎም'ሞ "መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ ኃጢኣቶም ንዝኃደግኩምሎም ኪኀደገሎም፣ ንዘይኃደግኩምሎም ግና ኣይኪኀደገሎምን እዩ" በሎም። (ዮሓ.20፡19.22-23)

1486 ብድሕሪ ጥምቀት ናይ ዝተፈጸመ ኃጢኣት ኀድገት (ምሕረት) ዚወሃብ፣ ናይ ምምላስ፣ ናይ ኑዛዜ፣ ናይ ንስሓ፣ ናይ ዕርቂ ምሥጢር ተባሂሉ ብዚስመ ፍሉይ ምሥጢር እዩ።

---

[91] ሕገቀኖና፣ ቀ. 962 § 1 ረአ
[92] ሕገቀኖና፣ ቀ. 961 § 2 ረአ
[93] ሕገቀኖና፣ ቀ. 961 § 1 ረአ
[94] መዓርግ ክህነት OP 31
[95] ማር 2፡5
[96] ማር 2፡17 ረአ

1487 ኃጢኣተይና ንናይ እግዚኣብሔር ክብርን ፍቕርን ይብድል፣ ከም መጠን ሰብ ውሉድ-ኣምላኽ ንምዃን ንዝተጸውዓሉ ሰብኣዊ ክብሩ የዋርድ፤ ነፍስወከፍ ክርስትያን፡ ሕያው እምኒ ኮይኑ ንዚሓንጻ ንናይ ቤተክርስትያን መንፈሳዊት ቤት ጥዕናኣ ኪጕድእ ይርከብ።

1488 ብዓይኒ-እምነት ኪጥመት ከሎ፣ ካብ ኃጢኣት ዚዓቢ (ዚኸብድ) ክፍኣት የልቦን፤ ንርእሶም ነቶም ኃጢኣተይናታት ኮነ፣ ንቤተ ክርስትያን ከምኡ'ውን ንመላእ ዓለም፡ ዝኸፍአ ሳዕቤን ዘምጽኣሎም ካብ ኃጢኣት ዚብርትዕ ነገር የልቦን።

1489 ብሰንኪ ኃጢኣት ስኢንካዮ (ኣጥፊእካዮ) ናብ ዝጸናሕካ፣ ናብ ናይ ኣምላኽ ሱታፌ ምምላስ፣ ብምሕረት ሃብታም ካብ ዝኾነን፡ ንድኅነት-ሰባት ካብ ዚኃልን ኣምላኽ፣ ካብ'ቲ መደብ ጸጋኡ ዚርከብ መስርሕ እዩ። እዚ ክቡርን ብርቅን ዝኾነ ጸጋ ንምቕባል፣ ምእንቲ ርእስናን ምእንቲ ካልኦትን ክንልምን ክንጽልን ይግበኣና።

1490 እዚ ንስሓ (ምምላስ) እንብሎ ናብ እግዚኣብሔር ንምምላስ ዚግበር ተበግሦ ወይ ጕዕዞ፣ ብዝተፈጸመ ኃጢኣት ብዚግባእ ምጽጻትን፡ ፈጺምካ ምጽያፉን፣ ንዚመጽእ ዳግማይ ከይትኃጥእ ጽኑዕ ውሳኔ ምግባርን የሓትት። ንስሓ (ምምላስ) እምበኣር ንዝሓለፈን ንዚመጽእን ዚትንክፍ ኮይኑ፣ ኣብ ምሕረት-ኣምላኽ ብዚግበር ተስፋ ይድልድል።

1491 ምሥጢረ ንስሓ ኪበሃል እንከሎ፣ ንናይ'ቲ ተነሳሒ ኮነ፣ ንናይ ካህን ፍትሓት ዚርኢ ሠለስተ ተግባራት ዚሓቊፍ ምሉእ መደብ እዩ። እቲ ናይ ተነሳሒ ተግባራት፡ ጣዕሳን፣ ንካህን ዘርዚርካ ኃጢኣትካ ምንጋርን፣ ከምኡ'ውን፡ ነቲ በደል ከተሕውዮን ክትክሕሦን ምኅላንን፣ ናይ ካሕሣ ስራሓት ምፍጻምን እዩ።

1492 ንስሓ፡ ማለት ጸጸት (ጣዕሳ) ካብ እምነት ብዚብገስ ዕላማ ዝተደረኸ ኪኸውን ኣለዎ። ጸጸት ናይ ፍቕሪ-ኣምላኽ ባህጊ ዘበገሶ እንተደኣኮይኑ "ፍጹም"ጸጸት (ጣዕሳ) እዩ፤ ኣብ ካልእ ዕላማን ምኽንያትን ዝተመሥረተ እንተኾይኑ ግን "ዘይፍጹም" (ጕደሎ) ይበሃል።

1493 ምስ ኣምላኽን ምስ ቤተክርስትያንን ዕርቂ ኪተክል ዚብህግ ሰብ፣ ኅሊናኡ ብዚግባእ ድሕሪ መርሚሩ ንዝረኸቦ ዘይተናዘዘሉ ዓቢይ ኃጢኣት ዘበለ ኵሉ ንካህን ዘርዚሩ ኪናዘዘሉ ይግበኦ። ናይ ንኡስ ኃጣውእ ኑዛዜ ግን ብርእሱ'ኳ ዘገድድ እንተዘይኮነ፣ ቤተክርስትያን ኣዕዚዛ እተማሕጽኖ እዩ።

1494 ብኃጢኣት ንዝወረደ ጕድኣት ንምሕዋይን ንተኸታል-ክርስቶስ ዚበቅዕ ልምድን ጠባያትን ንምጥራይን ዚሕግዝ፣ እቲ ተነሳሒ ኪፍጽሞ ዘለዎ፡ ናይ "ካሕሣን" "ቀኖናን" መደባት በቲ ዘናዝዝ ካህን ይሥራዕ።

1495 ካብ ሥልጣነ ቤተክርስትያን ናይ ምፍታሕ ሥልጣን ዝተቐበሉ ካህናት ጥራሕ ብስም ክርስቶስ ኃጢኣት ኪኃድጉ (ኪምሕሩ) ይኽእሉ።

1496 ናይ ምሥጢረ ንስሓ መንፈሳዊ ፍርያት እዚ ዚስዕብ እዩ፡-

- ምስ ኣምላኽ ብዚግበር ዕርቂ፡ ተነሳሒ ጸጋ ይረክብ፣
- ምስ ቤተክርስትያን ዕርቂ የፍሪ፣
- ብሰሪ ዓቢይ ኃጢኣት ንዚመጽእ ዘለዓለማዊ ቅጽዓት ይድምስስ፣
- ብሰሪ ኃጢኣት ንዚስዕብ ግዜያዊ ቅጽዓት እንተወሓደ ገሊኡ ወገኑ ይድምስስ፣
- ናይ ኅሊና ሰላምን ቅሳነትን (ህድኣትን)፡ መንፈሳዊ ምጽንናዓትን ይህብ፡
- ኣብ'ቲ ክርስትያናዊ ገድሊ-ሕይወት መንፈሳዊ ብርታዐ ይውስኽ።

1497 እቲ ብውልቂ ዚግበር ምሉእን ሥሩዕን ኑዛዜን፣ ስዒብዎ ዚመጽእ ፍትሓትን፣ ምስ ኣምላኽ ኮነ ምስ ቤተክርስትያን ንዚግበር ዕርቂ እቲ ኡንኮ ንቡር መጋበሪ እዩ።

1498 ብመደብ ስሬተ-ኃጢኣት ገቢሮም ምእመናን ንርእሳቶም ኮነ ነተን ኣብ ቦታ-ንስሓ ዚርከባ ነፍሳት፣ ብሰንኪ ኃጢኣት ካብ ዚመጽእ ግዜያዊ ቅጽዓት ኅድገት (ስሬት) ኪረኽቡ ይኽእሉ።

---

## ኣንቀጽ 5
# ቅብኣተ ሕሙማን (ቀንዲል)

1499 "ነቶም ዝሓመሙ ምእንቲ ከተንሥኦምን፡ ከድኅኖምን በቲ ዝተቐደሰ ቅብኣተ ሕሙማንን፣ ብጸሎት-ካህናትን ገቢራ ቤተክርስትያን፡ ናብ'ቲ ዝተሣቐየን ዝኸበረን ጐይታ ተማሕጽኖም። ብፍቓዶም ኣብ ናይ ክርስቶስ ሥቓያትን ሞትን ርእሶም ብምውህሃድ ንረብሓ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ገለ ከበርክቱ ድማ ተተባብዖም።"[97]

---

[97] ብር.ኣሕ.LG 11፣ኢያሱ 5፡14-16፣ሮሜ 8፡17፣ቆላ 1፡24፣2 ጢሞ 2፡11-12፣1 ጴጥ 4፡13

# I. ኣብ ሥነ-ምጋቤ ድኅነት ዘለዎ መሠረት

## ሕማም ኣብ ሰብኣዊ ሕይወት

**1500** *ሕማምን ሥቓይን ካብ'ቲ ንሕይወት ወድሰብ ዘጋጥሞ ዝኸበደ*
1006 *ግድላት ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ'ዚ ግዜ-ሕማሙ ወድሰብ፣ ኃይሊ ዘይብሉ በዓል*
*ድሩት ዓቕምን ውሱንን ምዃኑ ይፍለጦ። ዝኾነ ሕማም ድማ ንሞት ከም*
*ማሕታ ዘርእየና እዩ።*

**1501** *ሕማም ናብ ኣንጸርጽሮትን ብስጭትን፣ ኣብ ርእስኻ ምዕጻውን፣ ገሊኡ ግዜያት'ውን ክሳብ ቕብጸትን ተጻይ-ኣምላኽ ዕልወትን (ክሕደትን) ከብጽሕ ይኽእል እዩ። ብኻልእ ወገን ድማ ሓደ ሰብ ኣብ ሕይወቱ እቲ ቐንድን ኣገዳስን ኣየናይ ምዃኑን ዘይምዃኑን፣ ኣብ ምልላይን ምፍላይን ስለዚሕግዞ፣ ሕማም ብዝበለጸ ዘብስሎን ዘደልድሎን ኪኸውን ይኽእል። ብዚበዝሕ'ውን ሕማም ንኣምላኽ ንምድላይን ናብኡ ንምምላስን ኪድርኽ ይርከብ።*

## ሕሙም ሰብ ብመንፅር ኣምላኽ

**1502** *እቲ ብዘመነ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ ሰብ ንሕማሙ ዚጸውሮን ዚነብሮን፡*
164 *ምስ ኣምላኽን ኣብ ኣምላኽን ኮይኑ እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪቡ ብሕማሙ*
376 *የእዊ፤ ካብ'ቲ ናይ ሕይወትን ሞትን ጐይታ ዝኾነ እግዚኣብሔር ድማ*
*ምሕዋይን ምፍዋስን ይምህለል ነበረ።*[98] *ሕማም ናብ ንስሓ ገጹ ዚወስድ መንገዲ*
*ኪኸውን ተረኺበ፤ ምሕረት-ኣምላኽ ድማ ነቲ ምፍዋስ ይፍልሞ* (የበግሶ)።[99]
*ሕማም ብምሥጢራዊ መንገዲ ምስ ኃጢኣትን ክፍኣትን ከምዚተኣሳሰር፣*
*ብመሠረት ሕግታቱ ንኣምላኽ እሙን ምዃን ከኣ ሕይወት ዘውህብ ምዃኑ፣ ናይ*
*ሕዝቢ እስራኤል ትዕዝብትን ርድኢትን ነበረ፣ "ከመይ ኣነ እቲ ዘሕውየካ*
*እግዚኣብሔር እየ"*[100]*። ሥቓይ ብመንፅር ኃጢኣት-ካልኦት ናይ ቤዛነት* (በዣ)
*ትርጕም ከምዘለዎ እቲ ነቢይ ኣነጺሩ ተረዲእዎ ነበረ።*[101] *ኣብ መወዳእታ ድማ*
*እግዚኣብሔር ንኹሉ በደል ዚምሕረሉን፣ ንዝኾነ ሕማም ዚፍውሰሉን እዋን፣*
*ንጽዮን ከምዘምጽኣላ፡ ኢሳይያስ ነቢይ ከበሥር ይርከብ።*[102]

---

[98] *መዝ* 6፡3፣38፣ *ኢ.ሳ* ፡38 *ረአ*
[99] *መዝ* 32፡5፣38፡5፣39፡9፣ 39፡12፣107፡20፣ *ማር* 2፡5-12 *ረአ*
[100] *ዘፀ* 15፡26
[101] *ኢ.ሳ* 53፡11 *ረአ*
[102] *ኢ.ሳ* 33፡24 *ረአ*

# ክርስቶስ (ሓኪም) ፈዋሲ

**1503** ክርስቶስ ብመንፅር ሕሙማን ዘርኣዮ ናይ ርኅራኄ ኣተናን፣ ንዝኾነ 549
ዓይነት ሕማም ንምሕዋይ ዝገበሮን ኵሉ "ኣምላኽ ንሕዝቡ ከምዝበጽሖን"[103] 1421
መንግሥቲ እግዚኣብሔር ከምዝቐረበትን ዜርኢ ኣንጸባራቒ ትእምርት (ምልክት) 2288
እዩ። ኢየሱስ፣ ናይ ምሕዋይ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኃጢኣት ናይ ምኅዳግ
ሥልጣን'ውን ኣለዎ፤[104] ንሰብ ብምልኣቱ ብነፍስን ብሥጋን ከሕውዮ (ኪፍውሶ)
እዩ መጺኡ፤ ንሱ ሕሙማን ዘድልዩዎ ሓኪም እዩ።[105] ነቶም ኵሎም ዘሣቕዩ
ዝነበሮ ርኅራኄ፣ ምስኣቶም ዘለዎ ሓድነት ክሳብ ምግላጽን ምርግጋጽን ዝበጽሐ
ነበረ፣ "ሓሚመ በጺሕኩምኒ"[106]። ሕሉፍን ፍሉይን ዝኾነ ንሕሙማን ዝነበሮ
ፍቕሩ ድማ፣ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዘመናት ክርስትያን ብነፍስን ብሥጋን ንዚሣቕዩ
ኪግደሱሎምን፣ ኣቓልቦኦም ከውድቑሎምን ከንቀሳቕሶም ተረኺቡ እዩ። ነዚኣቶም
ንምጽንናዕ ናይ ዚግበር ዘይሕለል ጻዕሪ ምንጪ ምኽኑ እዩ።

**1504** ዚበዝሕ ግዜ ኢየሱስ፣ ነቶም ሕሙማን ዚኣምኑ እንተኾይኖም 695
ኪሓቶም ይርከብ።[107] ንክሕውዮም ከኣ ገለ ምልክታት ይጥቀም ነበረ፤ ጥፍጣፍን፣ 1116
ኣንብሮተ-እድን፣[108] ብጭቃ (ጸብሪ) ምልካይን ምሕጻብን፣[109]እቶም
ሕሙማን'ውን ኪትንከፉዎ ይደልዩ፣ ከመይ "ካብኡ ኃይሊ ወጺኡ ንዅሎም
የሕውዮም ነበረ"[110]። ምእንት'ዚ ከኣ ንኽሕውየናን ኪፍውሰናን፣ ክርስቶስ በዚ
ምሥጢራቱ ገቢሩ "ምትንካፍና" ኪቕጽሎ ይርከብ።

**1505** ብብዙሕ ሥቓያት ዝተለዓዓለን፣ ርኅራኄ ዘሕደረን ክርስቶስ፣ በቶም 440
ሕሙማን ኪትንከፍ ጥራሕ ከይደለየ፣ ነቲ ሥቓዮምን መከራኦምን፣ ናቱ ሥቓይን 307
መከራን ኪገብሮ ይርከብ፤ "ንሥቓያትና ተቐበሎ፣ ንሕማማትና ከኣ ጸወሮ"[111]።
እንተኾነ ንዅሎም ሕሙማን ኣየሕወዮምን። እቲ ዚፍጽሞ ዝነበረ ምሕዋይ፡ ናይ
መንግሥቲ-ኣምላኽ ምምጻእ ዜመልክት ትእምርት ነበረ። ኣዝዩ ዝበለጸን፣
መሠረታዊ ንዝኾነ (ናይ ነፍሲ) ምሕዋይ ዜመልክት ነበረ፤ እዚ ኸኣ እቲ
ብፋሲካኡ ገቢሩ ኣብ ልዕሊ ኃጢኣትን ሞትን ዝጨበጦ ዓወት እዩ። ክርስቶስ
ኣብ መስቀል ኮይኑ ንናይ ክፍኣት ምሉእ ክብደት ኣብ ርእሱ ተቐበሎ (ጸወሮ)፣
ንኃጢኣት ዓለም ደምሰሶ። ሕማም ናይ ኃጢኣት ሳዕቤን እዩ።[112] በዚ ኣብ
መስቀል ዝኾነ ሥቓያቱን ሞቱን፣ ክርስቶስ ናይ ሥቓይ ሓዲሽ ትርጓሜ

---

[103] ሉቃ 7:16፣ማቴ 4:24 ረአ
[104] ማር 2:5-12 ረአ
[105] ማር 2:17 ረአ
[106] ማቴ 25:36
[107] ማር 5:34፣ 36፣9:23 ረአ
[108] ማር 7:32-36፣8:22-25 ረአ
[109] ዮሓ 9:6-7 ረአ
[110] ሉቃ 6:19፣ማር 1:41፣3:10፣6:56 ረአ
[111] ማቴ 8:17፣ኢሳ 53:4 ረአ
[112] ዮሓ 1:29፣ኢሳ 53:4-6 ረአ

ይህበና፣ ምእንት'ዚ ከኣ ነኣኡ ከምስለናን፡ ብኣምሳሉ ኪቐርጸናን፣ ኣብ'ቲ ቤዛዊ (በዦ) ዝኾነ ሥቓያቱ (ሕማማቱ) ከወሃህደና ይርከብ።

## "ንሕሙማን ኣሕውዩ..."

**1506** ኣርድእቱ ብወገኖም መስቀሎም ጸዊሮም ንኪኽተልዎ፡ ክርስቶስ
859 ጸወያም።[113] ነኣኡ ብምኽታሎም ድማ፡ ብመንፅር ሕማምን ሕሙማንን ሓዲሽ ኣረኣእያ ኪረኽቡ ክኢሎም። ኢየሱስ'ውን እንተኾነ ኣብ'ቲ ናይ ኣገልግሎትን ድኽነትን ሕይወቱ ይጽንብሮም። ኣብ'ቲ ናይ ምሕዋይን ርኅራኄን ተልእኮኡ ተሳተፍቲ ይገብሮም፤ "ንሳቶም ድማ ወጺኦም ኹሉ ንኪንሳሕ ሰበኹ። ስለ'ዚ ከኣ ብዙኃት ኣጋንንቲ ኣውፅኡ፤ ንብዙኃት ሕሙማን ድማ ዘይቲ እናቐብኡ ኣሕወይዎም"[114]።

**1507** እቲ ዝተንሥአ ጐይታ፣ ነቲ ተልእኮኡ የሓድሶ፤ (ብስመይ....
430 ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ ሕሙማን ከንብሩ፣ ንሳቶም'ውን ኪሓውዩ እዮም"[115]፣) ቤተ ክርስትያን ስሙ ጸዊዓ ብእትፍጽሞ ምልክታት (ትእምርታት) ድማ የረጋግጾ።[116] ኢየሱስ "እቲ ዜድኅን ኣምላኽ"[117] ምዃኑ እዚ ትእምርታት'ዚ ብፍሉይ ኣገባብ የመሰኽር።

**1508** ናይ'ቲ ዝተንሥአ ጐይታ ኃይሊ (ክእለት) ጸጋኡ ምእንቲ ኪግለጽ፣
798 መንፈስ ቅዱስ ንገለ ሰባት፡ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ምሕዋይ(ምፍዋስ) ህያብ ይልግስ
618 እዩ።[118] እንተኾነ፣ እቲ ኣዝዩ ጽዑቕ ዝኾነ መደብ ጸሎት'ውን ወትሩ ንኹሉ ሕማማት ከሕዊ ኣይርከብን እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ "ኃይለይ ኣብ ድኻም እዩ ዚግለጽ'ሞ ጸጋይ የኣኽለካ" ዝበሎን፣እቲ ኪጸወሮ ዘለዎ ሥቓያት'ውን "ምእንት'ታ ኣካሉ ዝኾነት ቤተክርስትያን ነቲ ካብ ሥቓዩ ዝተረፈ፡ ብሥጋይ እምልእ ኣሎኹ" ዚብል ትርጓሜ ከምዘለዎ፣ ቅዱስ ጳውሎስ ካብ ጐይታ ኪመሃሮ ዘለዎ ነገር ነበረ።"[119]

**1509** *"ሕሙማት ኣሕውዩ!"[120]።* እዚ ዕማም'ዚ ቤተክርስትያን ካብ ጐይታ
1405 ዝተቐበለቶ እንኪኸውን፣ ነዞም ሕሙማን ብምክንኻንን፣ በቲ መማለዲ ጸሎታ ብምስናይን ብተግባር ክትፍጽሞ ትጽዕር። ኣብ'ቲ ናይ ነፍሳትን ሥጋትን ሓኪም፣ ኣብ'ቲ ናይ ክርስቶስ ወሃብ-ሕይወት ዝኾነ ህላዌኡ ተኣምን። እዚ ህላዌ'ዚ ብፍላይ ንጡፍ ኮይኑ ዚርከበሉ ብምሥጢራት እንኪኸውን፣ ሕሉፍ ብዝኾነ ኣገባብ

[113] ማቴ 10፡38 ረአ
[114] ማር 6፡12-13
[115] ማር 16፡17-18
[116] ግ.ሓ 9፡34፣14፡3 ረአ
[117] ማቴ 1፡21፣ግ.ሓ 4፡12 ረአ
[118] 1 ቆሮ 12፡9፣ 28፣ 30 ረአ
[119] 2 ቆሮ 12፡9፣ቆላ 1፡24
[120] ማቴ 10፡8

ድማ፡ በቲ ዘለዓለማዊ ሕይወት ዚህብ እንጌራ፡ ብቕዱስ ቍርባን እዩ፤ ቅዱስ ጳውሎስ ዜቕርቦ ሓሳብ'ውን ምስ'ቲ ሥጋዊ ጥዕና ዚተኣሳሰር ኣለዎ።[121]

1510 ዝኾነ ኾይኑ እታ ናይ ዘመነ-ሓዋርያት ቤተክርስትያን፣ ንሕሙማታ 1117
እትፍጽመሎም ዝነበረት ናታ ሥርዓት ከምዝነበራ ቅዱስ ያዕቆብ ዚምስክሮ እዩ፤ "ኣብ ማእከልኩም ዝሓመመ እንተ'ሎ፣ ንመራሕቲ ቤተክርስትያን ይጸውዕ፣ ንሳቶም ከኣ ብስም ጐይታ ብዘይቲ እናቐብኡ ይጸልዩሉ። እታ ብእምነት ዝተገብረት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ከተሕውዮ እያ። ጐይታ'ውን ከተንሥኦ እዩ፤ ኃጢኣት ገቢሩ እንተኾይኑ'ውን ኪኅደገሉ እዩ"።[122] እቲ ክቡርን ቅዱስን ትውፊት (-ቤተክርስትያን) ድማ ነዚ ሥርዓት'ዚ ሓደ ካብ'ቶም ሾብዓተ ምሥጢራት ምዃኑ ይቕበሎ።[123]

## ናይ ሕሙማን ምሥጢር

1511 ካብ'ቶም ሾብዓተ ምሥጢራት ሓደ፣ማለት ቅብኣተ-ሕሙማን፣ ነቶም ብሕማም ዝተፈተኑ ብፍሉይ ኣገባብ ንኽበርትዕን ከጸናንዕን ዝተመደበ ምዃኑ ቤተክርስትያን ተኣምንን ትእመንን፡-

> እዚ ዝተቐደሰ ቅብኣተ-ሕሙማን፣ ናይ ሓዲስ ኪዳን ሓቀይናን መደበይናን ምሥጢር ኮይኑ፣ ብክርስቶስ ጐይታና ዝተሠርዐ እዩ። ማርቆስ ነዚ ብዚርኢ ኣሚቱ ነበረ፣ ንምእመናን ዘማሕጸኖን፡ ብግልጺ ዝኣወጆን ግን እቲ ኃው-ጐይታና ያዕቆብ ሓዋርያ እዩ።[124]

1512 እዚ ብቕዱስ ዘይቲ ገቢርና ሕሙማን ምቕባእና፣ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ኣብ ክልቲኡ ናይ ምሥራቕ ኮነ፡ ናይ ምዕራብ ሥርዓተ-ኣምልኾኣዊ (ሊጡርግያዊ) ትውፊታት ኪዝውተር ከምዝጸንሐ ዚኣክል ምስክርነታት ኣሎ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ኣማኢት ዓመታት ድማ፡ እዚ ቅብኣተ-ሕሙማን፡ ኣዝዩ ፍሉይ ብዝኾነ ኣገባብ ኣብ'ቶም ኣብ ኣፍሞት ዚርከቡ ጥራሕ ኪፍጸም ጸኒሑ ኣሎ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ "ናይ መወዳእታ ቅብኣት" ወይ ከኣ "ናይ ጻዕረሞት ቅብኣት" ተባህለ። እዚ ኹሉ ምምሕያሽን ምዕባሌን'ኳ እንተ'ሎ፣ ንድኅነቱ ዚጠቅምን ገለ ዘበርክትን እንተደኣኮይኑ፣ እቲ ሕሙም ሰብ ጥዕናኡ ንኺምለሰሉ፣ ብሥርዓተ-ኣምልኾ (ሊጡርግያ) ንጐይታ ካብ ምልማን ዓዲ ኣይወዓለን።[125]

---

[121] ዮሓ 6:54፣ 58፣1 ቆሮ 11:30 ረአ
[122] ያዕ 5:14-15
[123] ጉባኤ ቁስጥንጥንያ 2ይ (553) ደንዚንገር DS 216፣ጉባኤ ፍሎሬንስ (1439) 1324-1325፣ጉባኤ ትረንቶስ (1551) 1695-1696፣1716- 1717
[124] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1695፣ማር 6:13፣ያዕ 5:14-15 ረአ
[125] ጉባኤ ትረንቶስ (1551) ደንዚንገር DS 1696 ረአ

1513 "ቅዱስ ቅብኣተ ሕሙማን"[126] ዝኣርእስቱ፣ ንጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ ተኸቲሉ ዝወጽአ[127] ሓዋርያዊ ሥርዓት (apostolic constitution)፣ ካብ ሕጂ ንደሓር ኣብ'ቲ ሮማዊ ሥርዓት እዚ ዚስዕብ ኪፍጸም ይእዝዝ፡-

> እቲ ናይ ቅብኣት-ሕሙማን ምሥጢር፡ ነቶም ኣብ ከቢድ ሃለዋት-ሕማም ዚርከቡ፣ ኣብ ግንባሮምን ኣእዳዎምን፡ ብዚግባእ ዝተባረኸ ዘይቲ ብምቕባእ ዚፍጸመሎም እዩ። እቲ ዘይቲ ድማ ዘይቲ ኣውሊዕ፣ ወይ ከኣ ካብ ካልእ ኣትክልቲ ዝተጸምቈ ዘይቲ ኪኸውን ኣለዎ። ነቲ ሥርዓት-ቅብኣት እዚ ሓደ ግዜ ዚበሃል ቃላት ከሰንዮ ይግባእ፣ "በዚ ቅዱስ ቅብኣት'ዚ ገቢሩ ጐይታ ብፍቕሩን ብምሕረቱን ብጸጋ መንፈስ ቅዱስን ገቢሩ የሓግዝካ(ኪ)። እቲ ካብ ኃጢኣት ሓራ ዘውጸኣካ(ኪ) ጐይታ፣ የድኅንካን(ኪ) ንላዕሊ ሓፍ የብልካን"።[128]

## II. ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ተቐባሊ፣ ሠራዒኸ መን'ዩ?

### ክብድ ዝበለ ሕማም ኣብ ዘጋጥመሉ....

1514 ቅብኣተ ሕሙማን "ኣብ ኣፍ-ሞት ንዚርከቡ ጥራሕ ዝተመደበ ምሥጢር ኣይኮነን። ምእንት'ዚ ከኣ ዝኾነ ካብ ምእመናን፣ ብሰንኪ ሕማም ኮነ እርጋን ኣብ ድንገተ-ሞት ምህላዉ ብዝተፈልጠ፣ ነዚ ምሥጢር'ዚ ዚቕበለሉ ግቡእ ግዜ ብርግጽ ኣርኪቡ ማለት እዩ"።[129]

1515 ነዚ ምሥጢር'ዚ ዝተቐበለ ሕሙም ሰብ፣ ጥዕናኡ እንተደኣ ተመሊሱሉ፣ ንሞት ዜስግእ ካልእ ከቢድ ሕማም ምስዘጋጥሞ፡ ነዚ ምሥጢር'ዚ ዳግም ኪቕበሎ ይኽእል እዩ። ካብ'ቲ ናይ ቅድም ሕማሙ፡ ናይ'ቲ ሰብ ኵነታቱ ኣዝዩ ዝበኣሰ እንተደኣኮይኑ፣ ሽዑ'ውን እቲ ምሥጢር ኪድገም ይከኣል። ሓደ ዜስግእን፣ ድንገት ዜምጽእን ተግባር ቅድሚ ምፍጻም'ውን ቅብኣተ-ሕሙማን ምቕባል ግቡእ እዩ። ድኻሞም ኣዝዩ እናተፈልጠን እናተገልጸን ብዝቐጸሉ ኣረገውቲ'ውን ከምኡ ኪበሃል ይከኣል።

### "....ንመራሕቲ ቤተክርስትያን ይጸውዕ"

1516 ካህናት (ኣቡናትን፡ ቀሳውስትን) ጥራሕ'ዮም ቅብኣተ-ሕሙማን ዚፍጽሙን ዚሠርዑን።[130] እዚ ምሥጢር'ዚ ብዛዕባ ዚህቦ ጠቕሚ፣ኃሶት-ነፍሳት

---

[126] ጳውሎስ 6ይ apostolic constitution, Sacram unctionem infirmorum, November 30, 1972.
[127] ቅዱስ ጉባኤ SC 73 ረአ
[128] ሕገቀኖና፣ ቀ. 847 § 1. ረአ
[129] ቅዱስ ጉባኤ SC 73፣ሕገቀኖና፣ ቀ.1004 § 1፣1005፣1007፣ሕገቀኖና ምሥ.ቀ.738 ረአ
[130] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1697፣1719;ሕገቀኖና፣ ቀ. 1003፣ሕገቀኖና ምሥ. ቀ. 739 § 1 ረአ

ንምእመናኖም ኪምህሩዎም ትሑዛት እዮም። ምእመናን ድማ ብወገኖም ነቶም ዝሓመሙ፣ ካህን ንኺጽውዑን፡ ነዚ ምሥጢር'ዚ ንኺቕበሉን ከተባብዑዎም ይግባእ። እቶም ሕሙማን ከኣ፡ ብጽቡቕ ኣተና ምእንቲ ኪቕበልዎ፡ በቲ ጓሳኦም (ኣበነፍስ)፣ ከምኡ'ውን ብፍሉይ ጸሎትን ኅውነታዊ ተገዳስነትን፣ ኣብ ዙርያ'ቶም ሕሙማን ክትከውን ብዝተጸወዐት መላእ ማኅበረ ክርስትና ተሰንዮም ርእሶም ከሰናድዉ የድሊ።

## III. እዚ ምሥጢር'ዚ ብኸመይ ይሥራዕ?

**1517** ኣብ ገዛ ስድራቤት ኮነ፡ ኣብ ሆስፒታል ወይ ኣብ ቤተክርስትያን፣ 1140
ንሓደ ውልቀሰብ፣ ወይ ንምሉእ ጒጅለ ሕሙማን ብዚፍጸመሉ (ብዚሥረዓሉ)፣ 1524
ቅብኣተ-ሕሙማን ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት ምሥጢራት ግብረ-ኣምልኾኣውን (ሊጡርግያውን) ማኅበራውን ሥርዓት እዩ።[131] ናይ ፋሲካ-ጐይታ ዝኽሪ ኣብ ዝኾነ ኣብ መሥዋዕተ-ቅዳሴ ኪፍጸምን ኪሥራዕን ከኣ ዝበለጸ እዩ። እቲ ኹነታት ዜፍቅዶ እንተደኣ ኮይኑ፣ እዚ ምሥጢር'ዚ እንኪሥራዕ፣ ብምሥጢር ንስሓ ዝተሰነየ ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን ኪቕድሞ ይከኣል። ከም መጠን ምሥጢረ ፋሲካ-ክርስቶስ፡ መሥዋዕተ ቅዳሴ ወትሩ ናይ'ዚ ምድራዊ ጒዕዞ ናይ መወዳእታ ምሥጢር፣ ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት "ንምስግጋር" ዚሕግዝ "ስንቂ" እዩ።

**1518** ቃልን እቲ ምሥጢርን ሓደ ዘይፈላለ ምልኣት የቕውም። ብግብረ ንስሓ ዝጀመረ ናይ ቃል-ኣምላኽ ሥርዓት (ሥርዓተ ቅዳሴ)፣ ነቲ ሥርዓተ ምሥጢር ይፍልሞ። ብቓል-ክርስቶስን ብምስክርነት-ሓዋርያትን ብዝተነቓቕሔት እምነት ተደሪኾም፣ እቲ ሕሙም ሰብን እታ ማኅበረ ክርስትናን፣ ጐይታ ብመንፈሱ ከበርትዖም ይምህለሉ።

**1519** ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ሥርዓት፡ ነዚ ዚስዕብ ቀንዲ ነገራት የጠቓልል፡- እቶም "መራሕቲ ቤተክርስትያን"[132] ብስቕታ ኣብ ልዕሊ ሕሙማን ኢዶም የንብሩ፣ ብእምነት ቤተክርስትያን ከኣ ይጽልዩሎም፣[133] እዚ እቲ ናይ'ዚ ሥርዓተ-ምሥጢር ግቡእ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምህለላ (Epiclesis=ጽዋዔ) ምዃኑ እዩ፤ ድሕር'ዚ ብቕዱስ ዘይቲ ይቐብእዎም፣ ብዚከኣል መጠን እቲ ዘይቲ ብኣቡን ዝተባረኸ ይኸውን።

እዚ ሥርዓተ-ኣምልኾኣዊ ተግባራት ንርእሱ፣ እዚ ምሥጢር'ዚ ኣብ ልዕሊ ሕሙማን ከመይ ዝበለ ጸጋ ከምዘውርድ ዜመልክት እዩ።

---

[131] ቅዱስ ጉባኤ SC 27 ረአ
[132] ያዕ 5፡14
[133] ያዕ 5፡15 ረአ

# IV. ናይ'ዚ ሥርዓተ ምሥጢር ፍርያት

**1520** *ናይ መንፈስ ቅዱስ ፍሉይ ህያብ።* ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ በዅሪ ጸጋ
733 እምበኣር፣ ምስ ሃለዋት ከቢድ ሕማም፣ ወይ ከኣ ምስ ናይ ዕቤት ድኻም
ንዚመጽእ ጸገማት ንምስዓር ዘኽእል፡ ናይ ብርታዐን ናይ ሰላምን ትብዓትን ጸጋ
እዩ። እዚ ጸጋ'ዚ ህያብ መንፈስ ቅዱስ እዩ፤ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ኣብ ኣምላኽ
ንዘሎና ርግጸኝነትን እምነትን ዘሐድስ፣ ክፍኣት ኣብ ዚፈታተነና እዋን፣ ኣብ
ኣፍ-ሞት ንዘጋጥም ፍርሃትን (ኣንጸርጽሮት) ብስጭትን ንምስዓር ዘበርትዕ
እዩ።[134] እዚ ብኃይሊ-መንፈሱ ካብ ጐይታ ዚመጽኣና ሓገዝ፣ ዕላማኡ ነቲ
ሕሙም ሰብ ምሕዋይ-ነፍሲ ንኺህቦ እኳ እንተኾነ፣ ፍቓድ-ኣምላኽ እንተኾይኑ
ከኣ ንናይ ሥጋ ምሕዋይ'ውን የጠቓልል እዩ።[135] ካብ'ዚ ሓሊፉ "ኃጢኣት ገቢሩ
እንተኾይኑ እውን ኪኅደገሉ እዩ"።[136]

**1521** *ኣብ ሥቓያት ክርስቶስ ምውህሃድ።* እዚ ምሥጢር'ዚ ብዚህቦ ጸጋ፡
1535 እቲ ሕሙም ሰብ፣ ርእሱ ምስ ናይ ክርስቶስ ሥቓያት ዘወሃህደሉ ብርታዐን
1499 ህያብን ይቕበል፤ ብገሊኡ ወገንስ፣ ብኣምሳል'ቲ ናይ መድኃኔ ዓለም መቤዝው
ሥቓያቱ ተቐሪጹ ፍረ ምእንቲ ኪህብ ተቐዲሱ እዩ ኪበሃል ይከኣል። እቲ ናይ
ኃጢኣት-ኣዳም ፍረ ዝኾነ ሥቓይ፡ ሓዲሽ ትርጒም ይረክብ፣ ኣብ ናይ ኢየሱስ
መድኃኒ ስራሑ ምስታፍ ኮይኑ ይርከብ።

**1522** *ናይ ቤተክርስቲያን(ማኅበራዊ) ጸጋ።* እቶም ነዚ ምሥጢር'ዚ ዚቕበሉ
953 ሕሙማን "ብድልየቶም ምስ ናይ ክርስቶስ ሥቓያትን ሞትን ርእሶም
ብምውህሃድ" "ንረብሓ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ዚጠቅም ከበርክቱ ይርከቡ"።[137]
ቤተክርስትያን፣ ነዚ ምሥጢር'ዚ ብምሥራዕ ብሱታፌ ቅዱሳን ገቢራ ምእንቲ
ረብሓ'ቲ ሕሙም ሰብ ተማልድ። እቲ ሕሙም'ውን ብወገኑ፡ እዚ ምሥጢር'ዚ
ብዚህቦ ጸጋ ተሓጊዙ፡ ንቅድስና-ቤተክርስትያንን፣ ንጠቕሚ ዅሉሰብን ዚኸውን
የበርክት። ቤተክርስትያን'ውን ምእንቲ ጠቕሚ ዅሉ ሰብ ክትሣቐን፡ ብክርስቶስ
ኣቢላ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ርእሳ ከተወፍን ትርከብ።

**1523** *ነቲ ናይ መወዳእታ ጕዕዞ (ምስግጋር) ምስንዳው።* እዚ ምሥጢረ
1020 ቅብኣተ-ሕሙማን፡ ነቶም ዅሎም ብኸቢድ ሕማምን ድኻምን ዚሣቐዩ ዚወሃብ
1294 እንተደኣ ኮይኑ፣ ነቶም ካብ'ዚ ሕይወት'ዚ ዚሓልፉ (ዚሳገሩ) ዘለዉ ኪወሃብ ከኣ
ብዝበለጸ ቅኑዕን ግቡእን እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ "ምሥጢረ ፀኣተ-ነፍስ"
(ናይቶም ካብዚ ዓለም'ዚ ዚሓልፉ ምሥጢር) ተባሂሉ ይጽዋዕ።[138] ልክዕ ከም'ቲ
ምሥጢረ ጥምቀት ኣባና ዝጀመሮ፣ ነቲ ብሞቱን ብትንሣኤኡን ንኽርስቶስ

[134] ዕብ 2፡15 ረአ
[135] ጉባኤ ፍሎሬንስ (1439)፡ ደንዚንገር DS 1325 ረአ
[136] ያዕ 5፡15፣ረአ ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1717
[137] ብር.ኣሕ. LG 11 § 2
[138] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1698.

ምምሳልና፣ እዚ ምሥጢር ቅብኣተ-ሕሙማን ኪፍጽሞን ኪዛዝሞን ይርከብ። ንሕይወት ክርስትና ንዘሰንዮን መለለዪ ዝኾኖን ኹሉ ቅብኣታት ይዛዝም፣ እቲ ናይ ጥምቀት ቅብኣት ኣባና ሓዳስ ሕይወት ኃቲሙልና እዩ፤ ቅብኣተ-ሜሮን ድማ ንናይ'ዚ ሕይወት'ዚ ገድሊ የበርትዓና። እዚ ናይ መወዳእታ ቅብኣት፣ ንናይ ምድራዊ ሕይወትና መወዳእታ፣ ኣብ ቤት-ኣቦና ቅድሚ ምእታውና ንዘሎ ወሳኒ ገድሊ-ሕይወት ከም ሓደ ጽኑዕ ዕርዲ ገቢሩ የጽንዓና።[139]

## V. ስንቃዊ ቊርባን፡ ዛዛሚ ምሥጢረ-ክርስትና

**1524** ምስ'ዚ ቅብኣተ-ሕሙማን፡ ብምድራብ፡ ቤተክርስትያን ነቶም ነዚ ሕይወት'ዚ (ምድር'ዚ) ዚሓድጉ ዘለዉ፣ መጠን ስንቂ ቅዱስ ቊርባን ተወፍየሎም። ኣብ'ዚ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ "እትሰጋገረሉ" እዋን ኣብ ናይ ክርስቶስ ሥጋኡን ደሙን ምስታፍ (ምቕባል) ፍሉይ ዝኾነ ትርጕምን ኣገዳስነትን ኣለዎ። "ሥጋይ ዚበልዕ፡ ደመይ'ውን ዚሰቲ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ፣ ኣነ'ውን በታ ዳሕረወይቲ መዓልቲ ከተንሥኦ እየ"[140] ብዚብል ቃል-ጐይታና መሠረት፣ ናይ ሕይወት-ዘለዓለም ዘርእን፣ ናይ ትንሣኤ ኃይልን እዩ። እዚ ሓደ እዋን ሞይቱ፡ ሕጂ ግን ዝተንሥአ ናይ ክርስቶስ ምሥጢር ዝኾነ ቅዱስ ቊርባን፣ ኣብዚ ኵነታት'ዚ ካብ ሞት ናብ ሕይወት፣ ካብ'ዚ ዓለም'ዚ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ናይ ምስግጋር ምሥጢር እዩ።[141] 1392

**1525** ልክዕ ከም'ቲ ምሥጢረ ጥምቀት፣ሜሮን፣ ቅዱስ ቊርባን ሓድነት 1680
ዘቕውሙ'ሞ "ናይ መባእታ-ክርስትና ምሥጢራት" ዚበሃሉ፣ ምሥጢረ ንስሓን 2299
ቅብኣተ-ሕሙማንን፡ ስንቃዊ ቅዱስ ቊርባንን ከኣ ኣብ ምዝዛም ክርስትናዊ ሕይወት ዚፍጸሙ፣ "ናብ'ታ ሰማያዊት ዓድና ዘሰናድዉና ምሥጢራት" ወይ ከኣ ምድራዊ ንግደትና (ጕዕዞ) ዚዛዝሙ ምሥጢራት ክንብሎም ንኽእል።

---

## ብሓጺር

**1526** "ኣብ ማእከልኩም ዝሓመመ እንተ'ሎ ንመራሕቲ ቤተክርስትያን ይጸውዕ፤ንሳቶም ከኣ ብስም ጐይታ ብዘይቲ እናቐብኡ ይጸልዩሉ። እታ ብእምነት ዝተገብረት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ከተሕውዮ እያ።ጐይታ'ውን ከተንሥኦ እዩ" ኃጢኣት ገቢሩ እንተኾይኑ'ውን ኪኅደገሉ እዩ። (ያዕ.5፡14-15)

---

[139] ጉባኤ ትረንቶስ (1551)፡ ደንዚንገር DS 1694

[140] ዮሓ 6፡54

[141] ዮሓ 13፡1 ረኣ

1527 ምሥጢር ቅብኣተ-ሕሙማን፣ ነቲ ካብ ከቢድ ሕማምን፣ ካብ ናይ እርጋን ድኻምን ዚፍልፍል ጸገማት ዝጸወረ ክርስትያን፣ ፍሉይ ጸጋ ንምዕዳል ዝዓለመ እዩ።

1528 እቲ ምእመን ብምኽንያት ሕማም ወይ እርጋን (ዕቤት) ኣብ ድንገተ-ሞት ዝተረኽበሉ ሃለዋት፣ ነዚ ምሥጢር'ዚ ዚቕበለሉ ምቹእ ግዜ ኣርኪቡ ኪበሃል ይከኣል።

1529 ሓደ ክርስትያን ብኽቢድ ኣብ ዝሓመመሉ ነፍስወከፍ ግዜ፡ ምሥጢረ ቅብኣተ-ሕሙማን ኪቕበል ይኽእል። ምስተቐበሎ፡ ዳግማይ ሕማሙ እንተኸበደ'ውን ኪቕበሎ ይከኣል እዩ።

1530 ኣቡን (ጳጳስ) ብዝባረኾ ዘይቲ፣ ወይ ከኣ እንተኣድለየ እቲ ሠራዒ ካህን ባዕሉ ብዝባረኾ ዘይቲ ምሥጢረ ቅብኣተ-ሕሙማን ኪሠርዑ ዚኽእሉ ካህናት (ቀሳውስትን፡ ኣቡናትን) ጥራሕ እዮም።

1531 ናይ'ዚ ቅብኣተ-ሕሙማን ሥርዓት (ኣፈጻጽማ) ነቲ ሕሙም ሰብ ኣብ ግንባሩን፡ ኣእዳዉን ምቕባእ የጠቓልል (ብሮማዊ ሥርዓት)፣ ኣብ ምሥራቓዊ ሥርዓት ድማ ካልእ ወገን ኣካላት ምቕባእ'ውን የጠቓልል። እቲ ሥርዓት-ቅብኣት ከኣ ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ፍሉይ ጸጋ ንምምህላል ሠራዒ ብዚደግሞ ሊጡርግያዊ ጸሎት ዝተሰነየ እዩ።

1532 ብምሥጢረ ቅብኣተ-ሕሙማን ዚዕደል ፍሉይ ጸጋ ዘፍርዮ እዚ ዚስዕብ እዩ፡-

- ምእንቲ ረብሓኡን፣ ረብሓ መላእ ቤተክርስትያንን ነቲ ሕሙም ሰብ ኣብ ሥቓያት ክርስቶስ የሕብሮ፤
- ነቲ ናይ ሕማምን ናይ ዕቤት (እርጋን) ድኻምን ሥቓያት ብክርስትያናዊ ኣገባብ ንምጽዋሩ ዘኽእል ጽንዓት፡ ሰላም፡ ትብዓት ይህቦ፤
- እቲ ሕሙም ሰብ ብምሥጢረ ንስሓ ኪረኽቦ ዘይከኣሎ እንተኾይኑ፣ ኅድገት-ኃጢኣት ይህቦ።
- ንድኅነት ነፍሱ ዜድሊ እንተኾይኑ'ውን፣ ጥዕና ሥጋኡ ኪመልሰሉ ይርከብ፤
- ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ንምስጋር የሰናዱ።

# ምዕራፍ ሠለስተ

# ኣብ ኣገልግሎት-ሱታፌ ዚውዕል ምሥጢራት

**1533** ጥምቀት፣ (ቅብኣተ) ሜሮን፣ ከምኡ'ውን ቅዱስ ቍርባን ናይ መባእታ- 1212
ክርስትና ምሥጢራት እዮም። ናይ ዅሎም ተኸተልቲ-ክርስቶስ ናይ ሓባር ጸዋዕታ ንዝኾነ፡ ጸዋዕታ-ቅድስናን፣ ኣብ ዓለም ወንጌል ናይ ምስባኽ ጸዋዕታ መሠረቱ እቶም ዝተጠቕሱ ምሥጢራት እዮም። ኣብ'ዚ ምድራዊ ሕይወት፣ መጠን ነጋድያን ናብ'ታ ነባር ዓድና ኣብ እንገብሮ ጕዕዞ ኪህልወና ንዘለዎ ብመንፈስ ቅዱስ ዚምራሕ ሕይወት ዜድሊ ጸጋ ይዕድለና።

**1534** ካልእ ክልተ ምሥጢራት፣ ቅዱስ መዓርጋትን (ክህነትን) ተክሊልን (ቃልኪዳን) ከኣ፡ ንድኅነት ካልኦት ዝዓለሙ እዮም። ንድኅነት-ርእሲ ዜበርክቱ ዚሕግዙ ኮይኖም እንተተረኽቡ ድማ፣ እዚ ሳላ'ቲ ንኻልኦት ዝተዋህበን ዝተፈጸመን ኣገልግሎት ዝኾነ እዩ። ኣብ ቤተክርስትያን ፍሉይ ዝኾነ ተልእኮ ይዕድሉ፣ ንሕንጸት ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ከኣ የገልግሉ።

**1535** እቶም ድሮ ብጥምቀትን ብቕብኣተ ሜሮንን[1] ናይ ምእመናን ጸጋ 784
ሓባራዊ ክህነት ዝለበሱ ንፍሉይ ዝኾነ ተልእኮ ኪውፈዩ ይኽእሉ። እቶም ቅዱስ መዓርጋት ዝተቐበሉ "ብቃል-ኣምላኽን ብጸጋኡን ንቤተክርስትያን ኪምግቡ"[2] ብስም ክርስቶስ ዝተቐደሱ (ዝተወፈዩ) እዮም። ከምኡ'ውን "ክርስትያን ሰበኺዳን ብወገኖም ንናይ ሕይወቶምን ንብረቶምን ግቡእነትን ክብርን ብዘብቀየም ፍሉይ ዝኾነ ምሥጢር፡ ጸኒዖምን ተቐዲሶምን (ተወፍዮምን) እዮም"።[3]

## ኣንቀጽ 6
## ምሥጢር ቅዱስ መዓርጋት

**1536** ቅዱስ መዓርጋት ኪበሃል ከሎ፣ እቲ ብኽርስቶስ ንሓዋርያት ሕድሪ 860
ዝተዋህበ ተልእኮት፡ ክሳብ መፈጸምታ ዘመን (መወዳእታ ዓለም) ኣብ ቤተ ክርስትያን ብግብሪ ኪፍጸምን ኪቕጽልን ዚኽእሉ ምሥጢር እዩ። ምእንት'ዚ ናይ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት (ተልእኮት) ምሥጢር ምዃኑ እዩ። እዚ ምሥጢር'ዚ ሠለስተ መዓርጋት (ደረጃታት)፡ ማለት ጵጵስና-ክህነት-ዲቍና የጠቓልል።

[1] ብር.ኣሕ. LG 10 ረአ
[2] ብር.ኣሕ. LG 11 § 2.
[3] ፍሥሓን ተስፋን GS 48 § 2.

(ብክርስቶስ ብዛዕባ ዝተሠርዐ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት (ተልእኮት) ኣቀዋውማኡን ሥርዓቱን ተልእኮቱን ዚርኢ፣ ኣቐዲሙ ኣብ ቍ.874 ዚቐጽልን ዝተዘርዘረን ተመልከት። ኣብ'ዚ እንተኾይኑ፣ እዚ ኣገልግሎት እዚ ከመይ ኢሉ በዚ ናይ ምሥጢር መጋበሪ ከምዝተመሓላለፈ ጥራሕ ኪትንተን እዩ።)

## I. እዚ ምሥጢር'ዚ ስለምንታይ "መዓርግ" ይበሃል

**1537** እዚ *መዓርግ* (Order) ወይ *ሥርዓት* (*ሢመት*) ዚብል ቃል ኣብ
923 ጥንታዊት ሮማ፡ ነቲ ንቡር *ሥሩዕ* ሲቪላዊ ኣካል፣ ብፍላይ ከኣ ነቲ ዘመሓድርን
1631 ዘነባብርን ኣካል ዜመልክት ነበረ። *ሢመት-መዓርግ* (Ordinatio) ኪበሃል ከሎ ድማ፡ ኣብቲ *ሥሩዕ* መዓርግ ምስታፍ ምኅባር የስምዕ። ኣብ ቤተክርስትያን'ውን እንተኾነ እቲ ቅዱስ (ክቡር) ትውፊት፡ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ተመሥሪቱ[4] ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ሢመታት ወይ መዓርጋት ዚብሎ ብግሪኽ = ታክሰይስ፣ ብላቲን= Ordines ቢሉ ዚሰምዮ *ሥሩዕ* ኣካል ጸኒሑ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ኸኣ፣ ሥርዓተ ኣምልኾ ብዛዕባ መዓርግ ጵጵስና፣ መዓርግ ክህነት፡ መዓርግ ዲቍና ይዛረብ። ነዚ መዓርግ ወይ ሥርዓት ዚብል መስመያ'ዚ ዚቐበሉ ካልኦት ጕጅለታት'ውን ኣለዉ፤-ንኡስ ክርስትያን፣ ደናግል፣ ሰብ ተክሊል፣ መበለታት...።

**1538** ናብ'ዚ ናይ ቤተክርስትያን ኣካላት ንምእታው (ንምጽንባር) ሢመተ-
875 መዓርግ (Ordinatio) ዚበሃል ሥርዓት ይፍጸም። እዚ ኸኣ መንፈሳውን
699 ሊጡርግያውን ተግባር ኮይኑ፡ ብ"ተቀድሶት"፣ ብቡራኬ ወይ ከኣ ብሓደ ምሥጢር ዚፍጸም እዩ። ሎሚ እንተደኣኮይኑ፡ እዚ "ሢመተ-መዓርግ"(እንግሊዝ-Ordination) ዚብል ቃል፣ ንሓደ ሰብ (ሰብኣይ) ኣብ መዓርግ ጳጳሳት፣ ካህናት፣ ዲያቆናት ንዚጽንብሮ፣ ብመልክዕ ምሥጢር ዚፍጸም ተግባር ዜስምዕ እዩ። እዚ ድማ ካብ ክርስቶስ ጥራሕ እሞ ብቤተክርስትያን ዚመጽእ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ብምዕዳል "ብመንፈሳዊ ሥልጣን (ክእለት) "(sacra Potestas)[5] ንምስራሕ ዘኽእል ስለዝኾነ፣ በታ ማኅበር ካብ ዚፍጸም፣ ተራ ወይ መንም ኅርየት-ሢመት-ውክልና ወይ ከኣ ሥርዓት ሓሊፉ ክንየዉ ዚኸይድ እዩ። ሢመተ-መዓርግ (Ordination) 'ተቀድሶት"(Consecration) እውን ይበሃል እዩ፤ ምኽንያቱ ኸኣ ምእንቲ ቤተክርስትያን ኢሉ ክርስቶስ ዚፍጽሞ ናይ ምፍላይ፣ ሥልጣን ናይ ምልባስ ተግባር እዩ። ብኣቡን (ጳጳስ) ዚፍጸም ኣንብሮተ-እድን፣ እቲ ዜሰንዮ ቀዳሲ ጸሎትን ክልቲኡ ናይ'ዚ ሢመተ-መዓርግ ርኡይ ምልክት የቕውም።

---

[4] ዕብ 5፡6፣7፡11፣መዝ 110፡4 ረአ
[5] ብር.ኣሕ. LG 10 ረአ

# II. ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ኣብ ሥነ ምጋቤ ድኅነት

## ናይታ ጥንታዊት ኪዳን ሥርዓተ ክህነት

1539 እቲ ኅሩይ ሕዝቢ፡ “መንግሥቲ-ካህናትን፡ ቅዱስ ሕዝብን”[6] ኮይኑ ብእግዚኣብሔር ተሠሪዑ እዩ። ግና ኸኣ ካብ'ቲ ሕዝቢ እስራኤል ብቐንዱ፡ ካብቶም ዓሠርተ ክልተ ነገድ (ዓሌት)፡ እግዚኣብሔር ንሓደ፣ ማለት ንናይ ሌዊ መሪጹ፡ ንኣገልግሎት ግብረ-ኣምልኾ ፈለዮ፤ ኣምላኽ ብቐንዱ ኸኣ ርስቱ ኮነ።[7] እዚ ናይ ጥንታዊት ኪዳን ኣጀማምራ ሥርዓተ-ክህነት ፍሉይ ብዝኾነ ሥርዓት ዝተቐደሰ ነበረ። ካህናት ድማ “ንእግዚኣብሔር ብዚርኢ ነገር፡ መባእን መሥዋዕትን ስለ ኃጢኣት ምእንቲ ከቕርቡ፡ ምእንቲ ሰብ ይሸየሙ”።[8]

1540 እዚ ክህነት'ዚ ቃል-ኣምላኽ ንምንጋርን፣ ብመሥዋዕትታትን ጸሎትን[9] ከኣ ምስ ኣምላኽ ሱታፌ ከምዚረክብ ንምግባርን ዝተሠርዐ'ኳ እንተነበረ፣ ብዘይምቕራጽ መሥዋዕትታቱ ኪደጋግም ዝተገደደ፡ እሞ ኸኣ ነቲ ወሳኒ ዝኾነ፣ ብመሥዋዕቲ-ክርስቶስ ጥራሕ ዚብጻሕ መደብ ቅድስና ከጨብጥ ዘይከኣለ፣ ምእንት'ዚ ከኣ ድኅነት ንኸምጽእ ዓቕሚ ዘይነበሮ ኮይኑ ተረኺበ።[10] 2099

1541 ብዝኾነ፣ ንክህነት-ኣሮን ኮነ፣ ነቲ ኣገልግሎት-ሌዋውያን፡ ከምኡ ንሥርዓት ሰብዓ (ሽማግለታት)[11]፣ ሊጡርግያ-ቤተክርስትያን ከም ናይ ሓዲስ ኪዳን መዓርጋዊ ኣገልግሎት (ተልእኮት) ኣምሳል ገቢሩ ይጥምቶ። ምእንት'ዚ ከኣ ኣብ'ቲ ላቲናዊ ሥርዓት፣ ቤተክርስትያን ናይ ሢመተ-ጳጳሳት ቀዳሲ ጸሎት ተብጽሕ፡-

> ኦ! ኣምላኽ፣ ኣቦኡ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ....
> በቲ ጸጋ ዝመልአ ናይ ድኅነት ቃልካ፣
> ኣብ ቤተክርስትያንካ መደብ-ሕይወት ሠራዕካ።
> ካብ ፈለማ ኣትሒዝካ፣ ካብ ነገደ-ኣብርሃም መሪጽካ ቅዱስ ሕዝብኻ ኪኸውን መደብካዮ።
> መራሕትን ካህናትን ከኣ ሠራዕካ፣
> ነታ ቤተመቕደስካ'ውን ብዘይካ'ቶም ዜገልግሉኻ ልኡኻን ክትሓድጋ ኣይደለኻን....[12]

---

[6] ዘፀ 19፡6፣ ኢሳ 61፡6 ረአ
[7] ዘኍ 1፡48-53፣ኢያሱ 13፡33 ረአ
[8] ዕብ 5፡1፣ ዘፀ 29፡1-30፣ዘሌ 8.
[9] ሚል 2፡7-9 ረአ
[10] ዕብ 5፡3፣7፡27፣10፡1-4 ረአ
[11] ዘኍ 11፡24-25 ረአ
[12] ሮማዊ መጽ.ጳጳስ Ordination of Bishops 26, Prayer of Consecration.

**1542** ኣብ ሢመት ካህናት'ውን ቤተክርስትያን ከምዚ ዝበለ ጸሎት ተብጽሕ፡

ኦ ጐይታ! ቅዱስ እግዚኣብሔር-ኣቦ......
ሊቃነካህናት ንሕዝብኻ ኪመርሑ ምስመረጽካዮም ምስኦም ንኪኾኑን፡
ኣብ መዝነቶም ንኪሕግዝዎምን ኢልካ፣
ብመዓርግን ብክብርን ድሕሪኦም ዚመጽኡ ካልኦት ሰባት'ውን
ኀረኻ.....
መንፈስ-ሙሴ ናብ'ቶም ሰብዓ ለባማት ከምዚዝርጋሕ ገበርካ....
ንደቂ ኣሮን ድማ ኣብ ናይ ኣቦኦም ምልኣት-ሥልጣን ከምዚሳተፉ
ገበርካ። [13]

**1543** ኣብ'ቲ ናይ ሢመተ-ዲያቆናት ቀዳሲ ጸሎት ድማ፡ ቤተክርስትያን ከምዚ ክትብል ትእመን፡-

ከሃሌኵሉ ኣምላኽ! .......
ነዛ ኣካል-ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስትያን፣
መጠን ሓዳስን ዝዓበየትን ቤተመቕደስ ኮይና ናብ ምልኣት ሕንጻታ
ከምትዓቢ ገበርካያ።
ነታ መላእ ኣካል ብዘደንቕ መደብ-ሓድነት ምእንቲ ከተገልግል
ብብዓይነቱ ጸጋ ተሃብትማ፣
ንክብሪ ስምካ ዚኸውን፡ ሠለስተ ዝመዓርጋቱ ናይ ኣምልኾን
ኣገልግሎትን ተልእኮ ሠራዕካ።
መጠን ኣገልገልትን ተለኣኽትን ታቦትካ ንደቂ-ሌዊ ሓሬኻ፣
ከም መጠን ዘለዓለማዊ ርስቶምን ዕጫኦምን ከኣ፡ ቡራኬኻ
ሃብካዮም። [14]

## ኡንኮ ክህነት-ክርስቶስ

**1544** እቲ ኵሉ ናይ ጥንታዊት ኪዳን ክህነት ዚፍጽሞ ዝነበረ መደብ-
874 ኣምሳልነት፣ "ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ኡንኮ ዓራቂ"[15] ብዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ተፍጻሜቱ ረኺቡ እዩ። ክርስትናዊ ትውፊት'ውን "ናይ'ቲ ልዑል ኣምላኽ ካህን" ንዝኾነ መልከጼዴቅ ናይ ክህነት-ክርስቶስ ኣምሳል ገቢሩ ይርድኦ፤ ክርስቶስ እቲ "ከም ሢመተ-መልከጼዴቅ፡ ኡንኮ ሊቀካህን"[16] "እቲ ቅዱስ፣ ክፍኣት

---

[13] ሮማዊ መጽ.ጳጳስ Ordination of Priests 22, Prayer of Consecration.
[14] ሮማዊ መጽ.ጳጳስ Ordination of Deacons 21, Prayer of Consecration.
[15] 1 ጢሞ 2፡5.
[16] ዕብ 5፡10፣ 6፡20፣ዘፍ 14፡18 ረአ

ዘይብሉ፣ ንጹሕ"[17] እዩ። "በታ ሓንቲ ወፈያኡ"፣ ማለት ንውልቃ ብዝኾነት መሥዋዕቲ-መስቀል፣ "ነቶም ዝተቐደሱ ንወትሩ ፍጹማን ገበሮም"።[18]

**1545** ቤዛዊት መሥዋዕተ-ክርስቶስ፣ ሓንሳብ ንወትሩ ዝተፈጸመት ንውልቃ 1367
(ኡንኮ) ትኹን'ምበር፣ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን መሥዋዕተ ቅዳሴ ህልውቲ 662
ኮይና እትርከብ ዘላ እያ። ብዛዕባ'ታ ኡንኮ ክህነት-ክርስቶስ'ውን ከምኡ ኪበሃል ይከኣል። ናይ ክህነት ክርስቶስ ኡንኮነት ከየነኣኣሰ፣ በቲ ኣገልግሎታዊ (መዓርጋዊ) ክህነት ኣቢሉ ህልው ኪኸውን ይርከብ። "ክርስቶስ ጥራሕ'ዩ እቲ ሓቀይና ካህን፤ ካልኦት ተለኣኽቱ ጥራሕ እዮም"[19]።

## ኣብ'ቲ ሓደ ክህነት ክርስቶስ ዚህሉ ክልተ ሱታፌ

**1546** እቲ ሊቀካህንን ኡንኮ ዓራቒን ዝኾነ ክርስቶስ ንቤተክርስትያን 1268
"ንእግዚኣብሔር ኣቦኡ እትበቅዕ ናይ መንግሥቱ ካህናት"[20] ገቢሩ ሠርዓ። ምእንት'ዚ ከኣ እቲ መላእ ማኅበረ ምእመናን ከምዘለዎ ወገን-ካህናት እዩ። እዞም ምእመናን እምበኣር ነፍስወከፎም ከከም ጸዋዕታኡ፡ ኣብ'ቲ ናይ ክርስቶስ ካህናውን ነቢያውን ንጉሣውን ተልእኮት ብምስታፍ ብጥምቀት ንዝለበስዎ ክህነቶም ኣብ ግብሪ የውዕሉ። ብምሥጢራት ጥምቀትን ሜሮንን፡ ምእመናን "ቅዱስ ክህነት..... ንምኳን ተቐዲሶም እዮም"።[21]

**1547** እቲ ናይ ኣቡናት ኮነ ናይ ካህናት፡ ኣገልግሎታውን መዓርጋውን 1142
ክህነት፣ ከምኡ'ውን ናይ ምእመናን ሓባራዊ ክህነት፣ "ነፍስወከፍ በብመንገዱ፡ 1120
ኣብ'ታ ሓንቲ ክህነት-ክርስቶስ ዚሳተፍ እዩ"። "ሓደ ናብ'ቲ ሓደ ዝጠመተ" ደኣ ይኹኑ'ምበር መሠረታዊ ዝኾነ ፍልልይ ኣለዎም።[22] ብኸመይ እንተበልካ፤ እቲ ናይ ምእመናን ሓባራዊ ክህነት ኣብ ግብሪ ዚውዕል፣ በቲ ናይ ጸጋ-ጥምቀት ምምዕባል፣ ማለት ብእምነት፡ ብተስፋ ብፍቕሪ ብመንፈስ እትምራሕ ሕይወት ብምሓዝ እንኪኸውን፤ እቲ ኣገልግሎታውን መዓርጋውን ክህነት ግን ነቲ ዝተጠቕሰ ሓባራዊ ክህነት ዘገልግል እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ፣ ንናይ ኵሎም ክርስትያን ጸጋ-ጥምቀት ንምምዕባል (ንምግላጽ) ዝዓለመ እዩ። ክርስቶስ ብዘይምቍራጽ ንዚፍጽሞ ሕንጸተ-ቤተክርስትያን እዚ መዓርጋዊ ክህነት መጋበሪኡ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ በቲ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ዚስመ፡ ናይ ብሕቱ ምሥጢር ኪመሓላለፍ ይርከብ።

[17] ዕብ 7፡26.
[18] ዕብ 10፡14.
[19] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ Hebr. 8, 4.
[20] ራእ 1፡6፣ ራእ 5፡9-10፣1 ጴጥ 2፡5፣9 ረአ
[21] ብር.ኣሕ. LG 10 § 1.
[22] ብር.ኣሕ. LG 10 § 2.

## ብስም’ቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ....

**1548** እቲ ከም ናይ ኣካሉ ርእስን፣ ናይ መጓሰኡ ጓሳን፣ ናይ’ቲ መቤዝው
875 *መሥዋዕቱ* ሊቀካህንን፣ ከም መምህር ሓቅነትን መጠን፣ ኣብ ቤተክርስትያኑ
792 ህልው ዝኾነ ክርስቶስ፣ *መዓርግ* ዝለበሰ ላእክ (*ኣቡን-ካህን ዲያቆን*) ኣብ ዚፍጽሞ
ኣገልግሎት፡ ቤተክርስትያን’ውን ህልው ኮይኑ ይርከብ። ብናይ ቅዱስ መዓርጋት
ምሥጢርን፣ ብዚረኽቦ ኃይልን ክእለትን እቲ ካህን፡ ብስም ክርስቶስ ብቐንዱ[23]
እዩ ዚሰርሕ ኢላ ቤተክርስትያን እንክትምህር ትርጕሙ እዚ እዩ፤

> እቲ ላእክ ወይ ኣገልጋሊኡ ዚውክሎ ዘሎ፡ መንፈሳዊ ኣካል፡ እቲ ካህን ብርእሱ ዝኾነ ክርስቶስ ኢየሱስ እዩ። እቲ ላእክ ሕጂ፡ በቲ ዝተቐበሎ ክህነታዊ ተቀድሶት (*መዓርግ*) ምኽንያት በሓቂ ነቲ ሊቀካህን ዚመስል ኮይኑ እዩ፤ ምስ’ዚ ድማ ብናይ ክርስቶስ ሥልጣን ብቐንዱን፣ ኣብ ክንድኡን ኮይኑ ዚሰርሓሉ ክእለት ተቐቢሉ እዩ።[24]

> ክርስቶስ ናይ ኵሉ ክህነት ዘበለ ምንጪ እዩ፤ እቲ ናይታ ብልይቲ ሕጊ ካህን፡ ኣምሳል-ክርስቶስ እዩ፤ እቲ ናይ’ዛ ሓዳስ ሕጊ ካህን ድማ ብስም ክርስቶስ ዚሰርሕ እዩ።[25]

**1549** *በቲ መዓርጋዊ ኣገልግሎት፣* ብፍላይ ከኣ በቲ ናይ ኣቡናትን
1142 ካህናትን ክህነት፣ ከም መጠን ርእሲ-ቤተክርስትያን፣ ናይ ክርስቶስ ህላዌኡ፡ ኣብ
መንጎ ማኅበረ ምእመናኑ ርኡይ ኮይኑ ይርከብ።[26] ቅዱስ እግናጽዮስ በዓል
ኣንጾኪያ ብዝሃቦ መግለጺ፣ ኣቡን (ጳጳስ) ናይ ኣቦ ኣምሳል እዩ፣ ናይ እግዚኣብሔር
ኣቦ ሕያው ምስሊ እዩ።[27]

**1550** ናይ ክርስቶስ ምስ’ቲ ላእክ (ኣገልጋሊ) ምህላዉ፣ ነቲ ላእክ ካብ ዝኾነ
896 ሰብኣዊ ድኽምነትን ድሩትነትን፣ ካብ መንፈስ ዕብለላን ጸብለልትነትን፣ ካብ
1128 ጌጋ ወላ’ውን ካብ ኃጢኣት ሓራ የውጽኦ እዩ ኣብ ዚብል ርድኢት ከብጽሕ
1584 የብሉን። ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ንናይ’ቶም ላእካን(ኣገልገልቲ) ተግባራት
ብሓደ ዓይነት ገቢሩ ኪርኢ ውሕስነት ዚህብ ኣይኮነን። እዚ ውሕስነት’ዚ ኣብ
ምሥጢራት ዚሰርሕ እንኪኸውን፣ ናይ’ቲ ላእክ (ኣገልጋሊ) ኃጢኣት፡ ነቲ ኪወሃብ
ዘለዎ ናይ ጸጋ ፍርያት ኣይዕንቅጾን እዩ፤ ኣብ ብዙሕ ካልእ ተግባራት፣ እቲ
ላእክ ምስ ሰብኣዊ ጠባያቱን ዝንባሌታቱን ይቕጽል፤ እዚ ኸኣ ወትሩ ንመንፈስ
ወንጌል እሙን ዘይምዃንካ ዜርኢ እንኪኸውን፣ ከም ሳዕቤን’ውን ንናይ ቤተ
ክርስትያን ሓዋርያዊ ፍርየት ዚጐድእ እዩ።

---

[23] ብር.ኣሕ. LG 10፣28፣**ቅዱስ ጉባኤ** SC 38 ፣**ክርስቶስ ጐይታ** CD 11፣**መዓርግ ክህነት** PO 2፣6
[24] **ፓዮስ መበል** 12 encyclical, Mediator Dei፡ AAS, 39 (1947) 548.
[25] **ቅ.ቶማስ ኣኵናስ** STh III, 22, 4c.
[26] ብር.ኣሕ. LG 21 *ረአ*
[27] **ቅ.እግናጽዮስ ዘኣንጾኪያ** Ad Trall.3,1፡ SCh 10,96፣cf. Ad Magn.6,1፡SCh 10,82-84.

**1551** እዚ ክህነት'ዚ (ኣገልግሎታዊ) ተልእኮታዊ እዩ። "እቲ ጐይታ ንጓሶት- 876
ሕዝቢ ዝሃቦ ሥልጣን... ከም ሓቂ ኪረአ ከሎ "ኣገልግሎት" እዩ።[28] ብምሉኡ 1538
ከኣ ምስ ክርስቶስን፡ ምስ ሰባትን ዚራኸብ እዩ። ብምሉኡ'ውን ኣብ ክርስቶስን 608
ኣብ'ታ ኡንኮ ክህነቱን ዚምርኰስ እዩ። ዝተሠርዓሉ ዕላማ ድማ፡ ምእንቲ ረብሓ ደቅሰብን ምእንቲ ናይ ቤተክርስትያን ሱታፌ-ኅብረትን እዩ። እዚ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት፣ ካልእ ዘይኮነስ ነቲ ናይ ክርስቶስ "መንፈሳዊ (ቅዱስ) ሥልጣን" የመሓላልፍ ወይ የልብስ። ናይ'ዚ ሥልጣን'ዚ ኣፈጻጽማን ኣገባብን ከኣ፣ መምዘኒኡን መለክዒኡን ኣብነት-ክርስቶስ፣ ማለት እቲ ብፍቕሪ ተደሪኹ ንርእሱ ዘትሓተን፣ ኣገልጋሊ-ኵሉ ዝገበረን ክርስቶስ እዩ።[29] "ንመጓሰኡ ዘሎካ ኅልዮት፣ ነኣኡ ናይ ዘሎካ ፍቕሪ መረድኢ (መረጋገጺ) ምኻኑ፡ ጐይታ ኣነጺሩ ኢሉዎ ኣሎ"።[30]

## ..."ብስም(ኵሉ) መላእ ቤተክርስትያን"

**1552** እዚ መዓርጋዊ/ተልእኮታዊ ክህነት፣ ነቲ ርእሲ ቤተክርስትያን ዝኾነ ክርስቶስ ኣብ ጉባኤ-ምእመናን ምውካል ጥራሕ ዘይኮነ ስራሑ፣ ንጸሎት ቤተ ክርስትያን ናብ ኣምላኽ እንከቕርብ፣ ልዕሊ ኵሉ ድማ መሥዋዕቲ ቅዳሴ እንከወፊ፡ ነዚ ተግባር'ዚ ብስም መላእ ቤተክርስትያን ይፍጽሞ።[31]

**1553** "ብስም መላእ ቤተክርስትያን" ዚብል ብሂል፣ ካህናት ናይ'ቲ ማኅበር 795
ወኪላት'ዮም ማለት ኣየስምዕን'ዩ። ናይ ቤተክርስትያን ጸሎትን መሥዋዕትን፡ ርእሳ ካብ ዝኾነ ናይ ክርስቶስ ጸሎትን መሥዋዕትን ተነጺሉ ዚረአ ኣይኮነን። ወትሩ ድማ ናይ ክርስቶስ ኣምልኾ ኮይኑ፣ብቤተክርስትያንን ኣብ ቤተክርስትያንን ዚፍጸም እዩ። እታ ኣካል ክርስቶስ ቤተክርስትያን ብመላኣ፣ "በኣኡን፡ ምስኡን ኣብኡን" ብኅብረት መንፈስ ቅዱስ፣ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ትጽልን፣ ርእሳ ተወፍን። እቲ መላእ ኣካል ማለት ርእስን ኣባላትን፣ ይጽልን ርእሱ የወፍን። ምእንት'ዚ ኸኣ፣ እቶም ኣብ'ቲ ኣካል'ቲ ዘለዉ ፍሉያት ላእካኑ (ኣገልገልቱ)፣ ናይ ክርስቶስ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ናይ ቤተክርስትያን ላእካን (ኣገልገልቲ) እውን እዮም። እዚ መዓርጋዊ (ተልእኮታዊ) ክህነት ንቤተክርስትያን ኪውክል ዚኽእል፣ ንኽርስቶስ ኪውክል ስለዝተረኽበ እዩ።

---

[28] ብር.ኣሕ. LG 24.
[29] ማር 10 43-45፣1 ጴጥ 5፡3 ረአ
[30] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ De sac. 2, 4፡ PG 48, 636፣cf. Jn 21፡15-17.
[31] ቅዱስ ጉባኤ SC 33፣ብ/ኣሕ.LG 10 ረአ

# III. ናይ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት፡ ሠለስተ መደባት (ዕርከናት)

**1554** "እዚ ብኣምላኽ ዝተሠርዐ፣ ኣብ ቤተክርስትያን ዚወሃብ ኣገልግሎት፣
1536 ካብ ጥንቲ ኣቡናት፣ ካህናት፡ ዲያቆናት ዝተሰምዩ ከይተረፈ፣ ብዝተፈላለየ
1538 ደረጃ ወይ ዕርከናት ኪፍጸም ተረኺቡ፡"[32] እቲ ብሥርዓተ-ኣምልኾን፣ ብናይ ቤተ
ክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርትን፣ ከምኡ'ውን ቀጺላ ብተዘውትሮ ልምድን ዚግለጽ
ካቶሊካዊ ትምህርተ-እምነት፣ ኣብ ክህነት-ክርስቶስ ዚሳተፍ ክልተ መደብ ወይ
ደረጃ መዓርጋዊ ወይ ተልእኮታዊ ክህነት ከምዘሎ ይእመን፤ ማለት ጵጵስናን
ክህነትን። ዲቍና ነዚኣቶም ኪሕግዝን ከገልግልን ዝተመደበ እዩ። በዚ
ምኽንያት'ዚ ከኣ እቲ ካህን ዚብል ቃል፣ ብናይ ሎሚ ኣዘራርባ ንኣቡናትን
ካህናትን ዜስምዕ እንኪኸውን፣ ንዲያቆናት ግን ኣየመልክትን። እንተኾነ፣ እቲ
ናይ ክህነታዊ ሱታፌ መደብን (ጵጵስናን ክህነትን)፣ እቲ ናይ ኣገልግሎትን
ረድኤትን መደብ (ዲቍና)፣ኵሉ ሠለስቲኡ ብደረጃ "ምሥጢር" ማለት ብምሥጢር
ቅዱስ መዓርጋት፡ ከምዚወሃብ ካቶሊካዊ ትምህርተ-እምነት ዜስተምህሮ እዩ፡-

> ኵሉ ሰብ ንዲያቆናት፡ ከም ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ንኣቡን (ጳጳስ) ከም ናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ ምስሊ፡ ነቶም ካህናት ከኣ ከም ናይ ኣምላኽ ቤትምኽርን፣ ናይ ሓዋርያት ጉባኤን ገቢሩ የኽብሮም። ምኽንያቱ ከኣ ብዘይካኣቶም፣ ብዛዕባ ቤተክርስትያን ምዝራብ ኣይከኣልን እዩ።[33]

## መዓርገ ጵጵስና፣ ናይ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ምልኣት

**1555** ትውፊት ከምዚምስክሮ፣ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ኣብ ቤተክርስትያን
861 ኪዝውተር ካብ ዝጸንሐ በብዓይነቱ ሥልጣን፣ እቲ ቐንዲ ቦታ፡ ንናይ ጵጵስና
ክብርን መዝነትን ብዝተሓርዩ ዝተታሕዘ እዩ። ብመሠረት እቲ ካብ ፈለማ
ኣትሒዙ ከይተቋረጸ ዝመጽእ ናይ ምክትታል (ምትኽኻእ) መደብ ከኣ፣ ነቲ
ሓዋርያዊ መሥመር ወይ ሠንሰለት ዘመሓላልፉ (ዘረክቡ) ኮይኖም ይግመቱ።"[34]

**1556** ነቲ ልዑል ተልእኮቶም ብዚግባእ ንምፍጻም "ሓዋርያት ኣብ ልዕሊኦም
862 ዝተፈጸመ ፍሉይ ዝኾነ ርደተ-መንፈስ ቅዱስ ካብ ክርስቶስ ተቐቢሎም እዮም።
ንሳቶም ድማ ብወገኖም፡ ነዚ ክሳብ ሎሚ ብቅብዓተ-መዓርገ-ጵጵስና ዚመሓላለፍ
ዘሎ ህያብ መንፈስ ቅዱስ፡ ብኣንብሮተ-እድ ናብ ተሓጋገዝቶም ከሕልፉዎ
ተረኺቡ።"[35]

---

[32] ብር.ኣሕ. LG 28.
[33] ቅ.እግናጽዮስ ዘኣንጾኪያ Ad Trall. 3,1፡ ቅዱስ ጉባኤ SCh 10, 96.
[34] ብር.ኣሕ. LG 20.
[35] ብር.ኣሕ. LG 21፣ ግ.ሓ 1፡8፣24፣ዮሓ 20፡22-23፣1 ጢሞ 4፡14፣2 ጢሞ 1፡6-7 ረአ

**1557** “ናይ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ምልኣት ዚወሃብ ብመዓርገ ጵጵስና ምዃኑ፣ እዚ ምልኣት'ዚ ድማ፡ ብናይ ቤተክርስትያን ሥርዓተ-ኣምልኾኣዊ ትውፊት ኮነ፣ ብናይ ኣበው ቤተክርስትያን ኣዘራርባ ሊቀ-ክህነት፣ ናይ መንፈሳዊ ተልእኮት ድባብ ወይ ዝለዓለ ጠርዚ፡ ተባሂሉ ከምዚስመ”[36] ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ የስተምህር።

**1558** “መዓርገ ጵጵስና፣ ናይ ምቕዳስን፡ ምምሃርን ምምሕዳርን ሥልጣን 895
የልብስ...። ብርግጽ'ውን... ብኣንብሮተ-እድን፡ በቲ ናይ ምሥጢረ ቅብኣተ ጵጵስና 1121
ቃላትን ኣቢሉ፡ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ይወሃብ፤ መንፈሳውን ቅዱስን ማኅተም ስለዚኅተም ከኣ፡ ኣቡናት ብምርኡይን ፍሉይን ኣገባብ ናይ'ቲ መምህርን ጓሳን ካህንን ዝኾነ ክርስቶስ ቦታ ይሕዙ፤ ከም ናቱ ልኡኻት ወይ ወኪላት ይሰርሑ።”[37] “ኣቡናት እምበኣር ሳላ'ቲ ዝተዋህቦም መንፈስ ቅዱስ፣ ናይ እምነት ሃይማኖት፡ ቀንድን ሑነተይናታትን መምህራን፣ ጳጳሳትን ጓሶትን ኮይኖም ተመዲቦም (ተሠሪዮም) እዮም”[38]።

**1559** “ናይ'ቲ ጳጳሳዊ ኣካል፡ ኣባል ኪኸውን ዚከኣል፡ ሳላ'ቲ ምሥጢረ 877
ቅብኣተ-ጵጵስናን፣ ምስ'ቲ ናይ ጳጳሳዊ ድርገት ርእስን ኣባላቱን ብዚጭበጥ 882
መዓርጋዊ ሱታፌን እዩ”።[39] ናይ ጵጵስናዊ መደብ ድርገታዊ ባሕርይ ወይ ጠባይ ዚግለጽን ዚረጋገጽን ከኣ፣ በቲ ኣብ ቅብኣት ሓዲሽ ኣቡን (ጳጳስ) ብዙኃት ኣቡናት ኪሳተፉ ዚእዝዝ ናይ ቤተክርስትያን ጥንታዊ ልምዲ እዩ።[40] በዚ ዘመንና ናይ ሓደ ኣቡን (ጳጳስ) ሕጋዊ ቅብኣተ ጵጵስና፣ ናይ ጳጳስ ሮማ ሥምረትን ፍቓድን የድልዮ። ምኽንያቱ ከኣ ጳጳስ ሮማ፡ ኣብ'ታ ሓንቲ ቤተክርስትያን ንዚርከባ ነናይ ቦታኡ ኣብያተክርስትያን ናይ ሱታፌ-ኅብረተን ልዑልን ርኡይን ማእሰርን፣ ናይ ናጽነተን ውሕስነትን እዩ።

**1560** ከም መጠን ወኪል-ክርስቶስ ነፍስወከፍ ኣቡን፣ ናይ'ታ ሕድሪ 833
ዝተዋህበቶ ፍልይቲ ቤተክርስትያን ሓዋርያውን ጒስነታውን ኀልዮት'ኳ እንተለዎ፣ 886
ምስ'ዚ ማዕረ'ውን ብድርገታዊ መንፈስ ምስ'ቶም ብጵጵስና ኣኀዋቱ ኮይኑ ዚጸሮ፣ ናይ ኵለን ኣብያተክርስትያናት ኃልዮት ኣለዎ። “ነፍስወከፍ ኣቡን ኣብ ትሕቲ ኃልዮቱ ሕድሪ ንዝተዋህበት ናይ ገለ ክፋል መጓሰ ሕጋዊ ጓሳን መራሕን'ኳ እንተኾነ፣ ናይ ሓዋርያት ሕጋዊ ተካኢ ብምዃኑ፣ ምስ'ቶም ካልኦት ኣቡናት ኃቢሩ፡ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ሓዋርያዊ ተልእኮ፡ ኃላፍነት ኪህልዎ ብመለኮታዊ ሥርዓትን ሕግን ተመዲቡ እዩ”።[41]

---

[36] ብር.ኣሕ. LG 21 § 2
[37] ብር.ኣሕ. LG 21
[38] ክርስቶስ ጐይታ CD 2 § 2
[39] ብር.ኣሕ. LG 22
[40] ብር.ኣሕ. LG 22 ረአ
[41] ፕዮስ መበል 12 Fidei donum፡ AAS 49 (1957) 237፣cf. ብር.ኣሕ. LG 23፣ክርስቶስ ጐይታ CD 4፣36፣37፣ናብ ኣሕዛብ AG 5፣6፣38

**1561** *እቲ ብኣቡን ዚሥራዕ መሥዋዕተ ቅዳሴ ምስ'ቲ ንኽርስቶስ ሕያዋይ
1369 ጓሳን ርእሲ ቤተክርስትያንን ወኪሉ ዚመርሕ (ኣቡን) ሠሚራ ኣብ ዙርያ መንበረ-
ታቦት ናይ ዝተጋብኣት ቤተክርስትያን ፍሉይ መግለጽን መረጋገጽን ምኳኑ፡
እዚ ኣቐዲሙ ዝተባህለ ሓሳባት የመልክት።*[42]

## ሢመተ-ካህናት፣ ሓገዝቲ ኣቡናት

**1562** *እግዚኣብሔር-ኣቦ ዝቐብኦን ናብ ዓለም ዝለኣኾን ክርስቶስ፣ ብሓዋርያቱ ገቢሩ፡ ነቶም ተካእቶም ኣቡናት ኣብ ቅብኣቱን ተልእኮቱን የሳትፎም፤ እዚኣቶም ከኣ ብወገኖም ንበብዓይነቶም ናይ ቤተክርስትያን ወገናትን ኣባላትን፡ ብዝተፈላለየ ደረጃ ዚጥመት ናይ ኣገልግሎት ሥልጣን ሕድሪ ኣረኪቦምዎም።*[43] *"ብመደብ ሢመተ-ክህነት ዝተሓርዩን ብክርስቶስ ዝተዋህቦም ሓዋርያዊ ተልእኮ፡ ብዚግባእ ኣብ ምፍጻም፡ ነቲ ዘመደ-ጵጵስና ተሓባበርቱን ምእንቲ ኪኾኑ፣ ትሕት ብዝበለ ደረጃኡ እቲ ናይ ኣቡን ተግባርን ሞያን ንካህናት ተመሓላሊፉሎም እዩ"።*[44]

**1563** *"ሥልጣነ-ካህናት ብባሕሪኡ ምስቲ ናይ ዘመደ-ጵጵስና ዝተተሓሓዘ
1121 ብምኳኑ፣ክርስቶስ ብቐንዱ ነታ ኣካሉ ኣብ ዚሓንጸሉን ዚቕድሰሉን ዜመሓድረሉን
ሥልጣኑ ተኻፊልቲ ይገብሮም። ምእንት'ዚ ከኣ ነዚ ናይ ካህናት ምሥጢረ ክህነት፣ ኣቐዲሙ'ኳ እቲ ናይ መባእታ-ክርስትና ምሥጢራት ዜድልዮ እንተኾነ፣ በቲ ናቱ ምሥጢር ይዕደል፤ በዚ ዚቕበልዎ ምሥጢር፣ በቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ቅብኣት፣ ካህናት ፍሉይ ብዝኾነ ማኅተም ምልክት ይግበረሎም፣ በዚ ኸኣ ኣብ ክንድ'ቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንምስራሕ ምእንቲ ኪኽእሉ፡ ብኣምሳል ክርስቶስ ካህን ኪቕረጹ ይርከቡ።"*[45]

**1564** *"ናይ ክህነት እቲ ዝለዓለ ሥልጣን ኣየሃልዎም፣ እቲ ዝተዋህቦም
611 ሥልጣን ኣብ ግብሪ ንምውዓል'ውን ኣብ ኣቡናት ዚምርኰሱ ደኣ ይኹኑ'ምበር፣
ካህናት'ውን በቲ ክህነታዊ ክብሮም ምስኣቶም ሱታፌ ኣለዎም። ሳላ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ድማ፣ ወንጌል ንምስባኽ፣ ምእመናን ንምጕሳይ፣ መለኮታዊ ኣምልኾት ንምሥራዕ፣ ኣሰር'ቲ ልዑልን ዘለዓለማውን ካህን ተኸቲሎም፣ መጠን ኡነተይናታት ካህናት-ሓዲስኪዳን ኮይኖም ተቐቢኦምን ተቐዲሶምን እዮም።"*[46]

**1565** *በቲ ዝተቐበልዎ፡ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ገቢሮም፣ ካህናት፡
849 ኣብ'ታ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ሕድሪ ዝሃባ፣ ሓፈሻዊ መልክዕን መሥርዕን ኣብ*

---

[42] *ቅዱስ ጉባኤ* SC 41፣*ብር.ኣሕ.* LG 26. *ረአ*
[43] *ብር.ኣሕ.* LG 28፣ *ዮሓ* 10፡36 *ረአ*
[44] *መዓርግ ክህነት* PO 2 § 2
[45] *መዓርግ ክህነት* PO 2
[46] *ብር.ኣሕ.* LG 28 *ዕብ* 5፡1-10፣7፡24፣9፡11-28፣*ኢ.ኖሴንት 1ይ* Epist. ad Decentium፡ PL 20, 554 A፣*ቅ.ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ* Oratio 2, 22፡ PG 35, 432B.

ዘለዋ ተልእኮ ተሳተፍቲ ይኾኑ። እቲ ኣብ መዓርግ ክህነቶም ዝለበስዎ መንፈሳዊ ህያብ፣ ንሓደ ድሩትን ውሱንን ተልእኮ በይኑ ዘይኮነስ፣ "ነቲ ምልኣት ዘለዎ፣ ብሓቂ'ውን ሓፈሻዊ ዝኾነ ተልእኮ-ድኅነት ፡ክሳብ ጫፍ-ምድሪ" ንምብጻሕ፣[47] "ኣብ ኵሉ ቦታ ወንጌል ንምስባኽ ብመንፈስ ዝተሰናደዉ ይገብሮም"።[48]

**1566** "ነዚ መንፈሳዊ ሥልጣኖም፡ ካህናት ብዝለዓለ ደረጃ ኣብ ግብሪ 1369
ዜውዕልሉ ድማ፣ ኣብ'ቲ ንቅዱስ ቍርባን ዚርኢ ግብረ-ኣምልኾ፣ ወይ ከኣ 611
ምእመናን ንመሥዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ዚእከቡሉ (synaxis) እዩ። ኣብኡ እምበኣር ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኮይኖም ብምስራሕ፣ ነቲ ምሥጢሩ ብምንጋርን ምብሣርን፣ ንናይ ምእመናን ስእለትን ወፈያታትን፣ ርእሶም ኣብ ዝኾነ ናይ ክርስቶስ መሥዋዕቲ ብምጽንባር፣ ኣብ መሥዋዕቲ ቅዳሴ'ውን፣ ክርስቶስ ንጹሕ መሥዋዕቲ ገቢሩ ርእሱ ነቦኡ ንዘወፈየሉ ኡንኮ መሥዋዕቲ ሓዲስ ኪዳን፣ ክሳብ ዳግማይ ምጽኣቱ ህልው ይገብርዎን፣ ንፍረኡ ኪነብርዎን ይርከቡ።"[49] ካብ'ዚ ኣዝዩ ፍሉይ መማዝንቲ ዘይብሉ መሥዋዕቲ እምበኣር እቲ መላእ ክህነታዊ ተልእኮቶም ኃይልን ብርታዐን ይረክብ።[50]

**1567** ናይ'ቲ ጳጳሳዊ ድርገት ጥበበይናታት ተሓባበርትን፣ ናቱ ደገፍን 1462
መጋበርን ዝኾኑ፣ ንኣገልግሎት ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ዝተጸውዑ ካህናት፣ ኣብ 2179
ዝተፈላለየ ተግባራት'ኳ እንተተዋፈሩ፣ ምስ ኣቡኖም ሠሚሮም ፍሉይ ዝኾነ ክህነታዊ ድርገት (ድርገተ-ካህናት = Presbyterium) የቐውሙ። ኣብ ነፍስወከፍ ነናይ ቦታኡ ኣኼባ-ምእመናን ብገሊኡ ወገን ንኣቡኖም ይውክሉ፣ ከመይ ምስኡ ብኹሉ ምትእምማንን መንፈስ ልግሥነትን ዚተሓባበሩ እዮም። ብገሊኡ መዳይ ድማ ነቲ ናይ ኣቡን ተግባራትን ኃልዮትን ባዕሎም ኪጸውርዎን፣ ኣብ ዕለታዊ ጻዕሮም ኪፍጽምዎን ይርከቡ"።[51] ካህናት እምበኣር፡ ኣገልግሎት-ክህነቶም ኪፍጽሙ ዚኽእሉ፡ ኣብ ኣቡን ተመርኵሶምን ምስኡ ኅብረት ጨቢጦምን ጥራሕ እዮም። እቲ ኣብ ግዜ ሢመተ-ክህነቶም ንኣቡን ዚፍጽምዎ ማሕላ ተኣዝዞ፣ ኣብ መወዳእታ'ቲ ሥርዓት ሢመት ድማ ካብ'ቲ ኣቡን ዚቕበልዎ "ኣምኃ-ሰላም" ትርጕሙ፣ ኣቡን ከም መሳርሕቱ፡ ውሉዱ ኣኅዋቱ ኣዕሩኽቱን ከምዚግምቶም፣ ንሳቶም ከኣ ብወገኖም ብፍቕርን ብተኣዝዞን ኪምልሹሉ ከምዚግበኦም ዜመልክት እዩ።

**1568** "ኵሎም ብምሥጢረ ክህነት፡ ኣብ'ቲ ማኅበር ክህነት ዝተሠርዑ ዘበሉ፣ 1537
ምሥጢራዊ ብዝኾነ ዓሚቕ ማእሰር-ኅውነት ዝተኣሳሰሩ፣ ኣብ ትሕቲ ሓደ ኣቡን ኮይኖም…ኣብ ዚሰርሑላ ሓንቲ ሰበኻ ሓድነት ዘለዎ ክህነታዊ ኣካል

---

[47] *መዓርግ ክህነት* PO 10፣*ክህነታዊ መዕበያ* OT 20፣ *ግ.ሓ* 1፡8 *ረአ*
[48] *ክህነታዊ መዕበያ* OT 20 *ረአ*
[49] *ብር.ኣሕ.* LG 28፣1 *ቆሮ* 11፡26 *ረአ*
[50] *መዓርግ ክህነት* PO 2
[51] *ብር.ኣሕ.* LG 28 § 2

ብፍሉይ መንገዲ ከቕውሙ ይርከቡ።"[52] ናይ'ዚ ድርገተ-ካህናት ሓድነት ብሊጡርግያዊ መንገዲ ዚግለጽ ድማ ኣብቲ ሥርዓት ሢመተ-ክህነት(ላቲን) ኣቡን ኣንብሮተ-እድ ምስፈጸመ፣በቶም ካልኦት ካህናት ብዚፍጸም ኣንብሮተ-እድ እዩ።

## ሢመተ ዲያቆናት - "ምእንቲ ኽገልግሉ"

**1569** "ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ናይ'ቲ መንፈሳዊ መዓርጋት ዚርከቡ ዲያቆናት እዮም። እዚኣቶም ኣንብሮተ-እድ ዚፍጸመሎም "ናብ ምሥጢረ ክህነት ንምስግጋር ዘይኮነስ፣ ምእንቲ ክገልግሉ፣ ኪለኣኹ እዩ"።[53] ኣብ ሥርዓት ሢመተ-ዲቊና፣ ኣቡን ጥራሕ'ዩ ኣብ ልዕሊ ተሠያሚ ኣእዳዉ ዜንብር። በዚ ኸኣ እቲ ዲያቆን ኣብ'ቲ ተግባር "ኣገልግሎቱ"[54] ብፍሉይ ኣገባብ ምስ'ቲ ኣቡን ዝተኣሳሰረ ምዃኑ የመልክት።

**1570** ዲያቆናት ኣብ'ቲ ናይ ክርስቶስ ተልእኮትን ጸጋን ብፍሉይ መንገዲ
1121 ተሳተፍቲ እዮም።[55] እቲ ናይ ቅዱስ መዓርጋት ምሥጢር፡ ኣብኦም ፍሉይ ምልክት ወይ ማኅተም የኃድግ። እዚ ምልክት'ዚ ኪድምሰስ ዘይከኣል ኮይኑ፡ ንርእሱ "ዲያቆን" ወይ ኣገልጋሊ-ኵሉ ብዝገበረ ብመልክዕ-ክርስቶስ ዝተቐርጹ እዮም።[56] ካብ'ቲ ገሊኡ ስራሓቶም ንምጥቃስ፣ ኣብ'ቲ ሥርዓት መለኮታዊ ምሥጢራት ዚፍጸመሉ፣ ልዕሊ ኵሉ ድማ ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ፣ ቅዱስ ቍርባን ኣብ ምዕዳል፣ ኣብ ሥርዓተ-ቃልኪዳን ብምስታፍ፣ ኣብ ንባብ ወንጌልን ምስባኽን፣ ኣብ ሥርዓተ-ቀብር ብምምራሕ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት-ፍቕሪ ብተወፋይነት ብምስታፍ፣ ዲያቆናት፡ ንኣቡናትን ካህናትን ኪሕግዙ ይርከቡ።[57]

**1571** ናይ ምሥራቕ ኣብያተክርስትያናት፡ ንመደብ ዲቊና ወትሩ እንኪ
1579 ዕቅብኦ፣ ላቲናዊት ቤተክርስትያን ግን ካብ ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ ንደሓር፡ ዳግማይ ናብ ቦታኡ ክትመልሶን "ከም ናይ'ቲ መዓርጋት ቀንድን ነባርን ደረጃ"[58] ገቢራ ከተንቀሳቕሶ ትርከብ። እዚ ንሰበኺዳን (ሰብ ተክሊል) ሰብኡት ኪወሃብ ዚከኣል "ነባር ዲቊና" ንናይ ቤተክርስትያን ተልእኮት ኣዝዩ ዜደልድልን ዜማዕብልን እዩ። ብርግጽ'ውን ሥርዓተ-ኣምልኾኣዊ ይኹን ሓዋርያዊ፣ ማኅበራዊ ይኹን ናይ ግብረ-ሠናይ ተግባራት ኣገልግሎት ዚህቡ ሰባት እዚ ኣብ ቤተ ክርስትያን ዚፍጽምዎ ኡነተይና ናይ ኣገልግሎት ተልእኮ "በቲ ካብ ሓዋርያት ዝተመሓላለፈልና ኣንብሮተ-እድ ኪጸንዕን ኪብርትዕን ግቡእ እዩ። በዚ ድማ

[52] *መዓርግ ክህነት* PO 8
[53] *ብር.ኣሕ.* LG 29፣ *ክርስቶስ ጐይታ* CD 15
[54] *ቅ.ሂፖሊቱስ* Trad. ap. 8፡ SCh 11, 58-62 *ረአ*
[55] *ብር.ኣሕ.* LG 41፣AA 16 *ረአ*
[56] *ማር* 10፡45፣*ሉቃ* 22፡27፣*ቅ.ፖሊካርፓስ ፊልጵ* 5፣ 2፡ SCh 10፣182.
[57] *ብር.ኣሕ.* LG 29፣*ቅዱስ ጉባኤ* SC 35 § 4፣*ናብ ኣሕዛብ* AG 16 *ረአ*
[58] *ብር.ኣሕ.* LG 29 § 2

ንሳቶም ምስ'ቲ ታቦተ-ምሥዋዕ ኣጸቢቖም ይተኣሳሰሩ፤ እቲ ተልእኮቶም ከኣ በዚ ናይ ዲቊና ምሥጢራዊ ጸጋ፡ ኣዝዩ ዝበለጸ ፍረ ኪህብ ይኽእል"።[59]

## IV. ኣወሃህባ ሥርዓተ ምሥጢር (ሥርዓተ ሢመት)

1572 ናይ ሓደ ኣቡን፣ ካህን ወይ ዲያቆን ሥርዓተ-ሢመት፣ ኣብ ሕይወት ሓንቲ ቤተክርስትያን ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ ብምዃኑ፣እቲ ሥርዓተ-ሢመት ኣብ ዚፍጸመሉ፡ ብዙኃት ምእመናን ኪሳተፉ ይግባእ። ኣብ ዕለተ ሰንበት፡ እሞ ኣብ'ታ መካነ-መንበር ቤተክርስትያን፣ ነቲ በዓሉ ብዚበቅዕ ክብርን ዓዠብን ኪግበር ዝበለጸ እዩ። ሠለስቲኡ ሢመታት፣ ማለት ናይ ኣቡን (ጳጳስ)፡ ካህን፡ ዲያቆን ሓደ ዓይነት ጒዕዞ ይኽተል። ግቡእን ብቑዕን ቦታኡም ከኣ መሥዋዕተ ቅዳሴ እዩ።

1573 ኣብ ሠለስቲኡ ደረጃታት፣እቲ ቐንዲ ሥርዓት ምሥጢረ ቅዱስ 699
መዓርጋት፣ ኣቡን(ጳጳስ) ኣብ ልዕሊ ተሠያሚ ዚፍጽሞ ኣንብሮተ-እድን፤ መንፈስ 1585
ቅዱስ ንኺወርዶን፣ተሠያሚ ንዚለብሶ ተልእኮኡ ዘድልዮ ጸጋታቱ ንኺህቦ፡ ኣቡን ናብ ኣምላኽ ዚምህለሎን፡ ዜብጽሖን ፍሉይ ቀዳሲ ጸሎትን ዘጠቓልል እዩ[60]።

1574 ኣብቲ ኩሉ ካልእ ምሥጢራት ከምዚረአ ኣብ'ዚ ሥርዓተ-ምሥጢር'ዚ 1294
ድማ ተወሳኺ ሥርዓታት ተደሪብዎ ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለየ ሥርዓተ ኣምልኾኣዊ 796
ትውፊታት፡ በብዓይነቱ ልምድታት እኳ እንተ'ሎ፣ እዚ ሥርዓታት'ዚ ብሓባር ዚገልጾ ነገር ኣለዎ፡- በቲ ምሥጢር'ቲ ዚወሃብ ጸጋ ዝተፈላለየን ብዙሕን ዝዓይነቱ ምዃኑ የረጋግጽ። ምእንት'ዚ ከኣ ኣብ ላቲናዊት ቤተክርስትያን፡ እቲ መባእታዊ ሥርዓታት፡- ናይ ተሠያሚ ምቕራብን ኅርየቱን፣ብኣቡን ዚወሃቦ መምርሒ፣ ናይ ተሠያሚ መርመራ፣ ሊጣንያ ቅዱሳን (ምህለላ) የጠቓልል። እዚ ድማ፡ እቲ ኅርየት-ተሠያሚ ከም ናይ ቤተክርስትያን ሥርዓትን ልምድን ከምዝተገብረ ዜመልክት እዩ። ነቲ ብሥርዓት ዚግበር ቀድሶትን ሢመትን (Consecration) ከኣ የሰናዱ። ድሕር'ዚ ብኣምሳላዊ መንገዲ ዚፍጸም በብዓይነቱ ሥርዓታት ነቲ ምሥጢር ይገልጽን ይምልእን። ኣቡንን ካህንን በቲ ቅዱስ ዘይቲ ይቕብኡ፣ እዚ ነቲ ንተልእኮቶም ፈራዪ ዚገብር ናይ መንፈስ ቅዱስ ፍሉይ ቅብኣት ዜዘኻኽር እዩ። እቲ ንኣቡን ዚዕደል፡ መጽሓፍ ወንጌል፣ ካትም፣ ዘውዲ፣ በትረ ኖላዊ ናይ ሓዋርያዊ ተልእኮኡ ምልክታት፣ ማለት ቃል ኣምላኽ ናይ ምስባኽ፣ ነታ መርዓት-ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስትያን ዘለዎ ተኣማንነት፣ ከምኡ'ውን መጠን ጓሳ ኣብ ልዕሊ መጓሰ-ጐይታ ናይ ዘለዎ ሥልጣን መግለጺ እዩ። ንካህን ዚዕደሎ ንዋያተ ቅዱሳት ጻሕልን ጽዋዕን ከኣ፡ ናብ ኣምላኽ ከቕርቦ ናይ ዝተጸወዓሉ "ናይ'ቲ ቅዱስ ሕዝቢ ወፈያ" የመልክት። ወንጌል ክርስቶስ ንምስባኽ ተልእኮ ንዝለበሰ ዲያቆን ድማ፡ ብኡ ብኡ መጽሓፈ ወንጌል ይወሃቦ።

---

[59] ናብ ኣሕዛብ AG 16 § 6
[60] ፕዮስ መበል 12 apostolic constitution, Sacra. Ordinis፡ ደንዚንገር DS 3858 ረአ

## V. ነዚ ምሥጢር'ዚ ዚሠርዕ (ዚዕድል) መን'ዩ?

**1575** ክርስቶስ ባዕሉ፡ ንሓዋርያት ሓረዮም፣ ኣብ ተልእኾቱን ሥልጣኑን ከኣ
857 ኣሳተፎም። እዚ ኣብ የማን ኣቦኡ ዝተቐመጠ ክርስቶስ፣ ንመጓሰኡ ኣይሓደጎን፣ ብሓዋርያቱ ኣቢሉ ብቐጻሊ ኪሕልዎን ኪሓልየሉን ይርከብ፣ በዞም ሎሚ ስራሓቱ ዚቕጽሉ ዘለዉ ጓሶት (መራሕቲ) ገቢሩ ድማ ይመርሖ።[61] ምእንት'ዚ ኸኣ ንገሊኦም ሓዋርያት፡ ንገሊኦም ጓሶት ገቢሩ ዚምድቦም ባዕሉ ክርስቶስ ብህያባቱ እዩ። ብኣቡናት (ጳጳሳት) ገቢሩ ምስራሕ ከኣ ይቕጽሎ።[62]

**1576** ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት፣ ናይ ሓዋርያዊ ተልእኾት ምሥጢር
1536 ብምዃኑ፣ "ህያባት መንፈስ ቅዱስ"[63] ኮነ፣ እቲ "ሓዋርያዊ ትልወት"[64]፣ ምምሕልላፍን ምቕጻልን፣ ናይ'ቶም ተካእቲ ሓዋርያት ዝኾኑ ኣቡናት ተግባር እዩ። ብሕጋውን ሥሩዕን ኣገባብ ዝተሠይሙ ወይ መዓርግ ጵጵስና ዝተቐብሉ ኣቡናት(ጳጳሳት)፣ ማለት እቶም ኣብ'ቲ ቅኑዕ ናይ "ትልወተ-ሓዋርያት" መሥመር ዘለዉ ኣቡናት፣ ነተን ሠለስተ ደረጃ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ብብቕዓት ይዕድሉ።[65]

## VI. ነዚ ምሥጢር'ዚ ኪቕበል ዚኽእል መን'ዩ?

**1577** "ዝተጠመቐ ሰብኣይ ጥራሕ'ዩ፣ ብሕጋውን ብቑዕን ኣገባብ ቅዱስ
551 መዓርጋት ዚቕበል"።[66] ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ'ቶም ዓሠርተው ክልተ
861 ሓዋርያቱ ድርገት ኣብ ዘቑመሉ፣ ሰብኡት ጥራሕ ሓረየ፤ ሓዋርያት ድማ
862 ብወገኖም፡ ኣብ'ቲ ተልእኾቶም ዚትክእዎም ተሓጋገዝቲ እንኪመርጹ ልክዕ ከምኡ ገበሩ።[67] ካህናት'ውን ምስኡ ብክህነት ተወሃሂዶም ዚርከቡሉ ድርገተ-ጳጳሳት፣ ነቲ ናይ ዓሠርተው ክልተ ሓዋርያት ድርገት፣ ክሳብ ዳግማይ ምጽኣት-ክርስቶስ ወትሩ ህልውን፣ ወትሩ ዚሰርሕን ኪገብሮ ይርከብ። ቤተክርስትያን እምበኣር በዚ ጐይታና ባዕሉ ዝገበሮ ምርጫን ውሳኔን ክትምራሕ ግድድቲ እያ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ ናይ ደቀንስትዮ ቅዱስ መዓርጋት ምቕባል ዘይከኣል እዩ።[68]

---

[61] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ Preface of the Apostles I ረአ
[62] ብር.ኣሕ. LG 21፣ኤፌ. 4፡11.
[63] ብር.ኣሕ. LG 21 § 2
[64] ብር.ኣሕ. LG 20
[65] ደንዚንገር DS 794፣ደንዚንገር DS 802፣ሕገቀኖና፣ቀ.1012፣ሕገቀኖና ም.ሥ.ቀ.744፣747
[66] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1024
[67] ማር 3፡14-19፣ሉቃ 6፡12-16፣1 ጢሞ 3፡1-13፣2 ጢሞ 1፡6፣ቲቶ 1፡5-9፣ቅ.ቀሌምንጦስ ዘሮሜ Ad cor. 42፣ 4፣44፣ 3፡ PG 1, 292-293፣300 ረአ
[68] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ MD 26-27፣CDF declaration, Inter insigniores፡ AAS 69 (1977) 98-116.

**1578** ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ክቕበል መሰል ኣሎኒ ኪብል ዚኽእል 2121
የልቦን። ብሓቂ'ውን ነዚ ተልእኮት'ዚ ንርእሱ ይግበኣኒ እዩ ዚብል የልቦን። ናብዚ ተልእኮት'ዚ ብኣምላኽ እዩ ዚጽዋዕ።[69] ኣብ መዓርጋዊ ተልእኮት ንምእታው ናይ መጸዋዕታ-ኣምላኽ ገለ ምልክታት ከለሊ ዝኽኣለ ኮይኑ ዝተሰመየ ሰብ፡ ነዚ ድልየቱን ባህጉን ናብ ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣን ብትሕትና ክቕርቦ ይግባእ። ቤተክርስትያን ንሓደ ሰብ ቅዱስ መዓርጋት ንምቕባል ክትጽውዮ መሰልን ኃላፍነትን ኣለዋ። ከምቲ ኹሉ ካልእ ጸጋታት፣ እዚ ምሥጢር'ዚ እውን "እንበለ-ምግባር" ብዘይ-ሞያን ዓስብን እንኽቕበሎ ህያብ እዩ።

**1579** ነቶም ነባራት ዲያቆናት ብዝገደፍካ፣ ኵሎም ኣብ ላቲናዊት ቤተክር 1618
ስትያን ዜገልግሉ ሰብ መዓርግ ላእካን (ልኡኻን) ካብ'ቶም ሰብ-እምነት ዝተመርጹ 2233
ኮይኖም፣ ካብ'ቶም ድንግላዊ (ተዓቅቦ) ሕይወት ዝሓዙ፣ ከምኡ'ውን "ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት"[70] ብተዓቅቦ ኪነብሩ ካብ ዝኀለኑ ኪኾኑ ንቡር እዩ። ብዘይተኸፋፈለ ልቢ ንጐይታን፣ "ንናይ ጐይታ ነገራትን"[71] ርእሶም ንኺውፍዩ ዝተጸውዑ ኮይኖም፣ ኵለንትናኦም ንኣምላኽን ንሰብን ይልግሡ። ሕይወት-ተዓቅቦ ናይ'ታ ሓዳስ ሕይወት ምልክት (ትእምርት) እንኪኸውን እቲ ናይ ቤተክርስትያን ላእክ (ካህን-ዲያቆን...) ድማ ኣብ ኣገልግሎት'ዛ ሓዳስ ሕይወት እዩ ዚውፈ። ብሕጉስ ልቢ ዝተሓቑፈ ሕይወት ተዓቅቦ፣ ብዘንፀባርቕ ኣገባብ ንመንግሥተ ኣምላኽ ዚነግርን ዚምስክርን እዩ።[72]

**1580** ኣብ ምሥራቓውያት ኣብያተክርስትያን ከኣ ካብ ኃያሎይ ምእተ ዓመታት ኣትሒዙ ፍልይ ዝበለ ሥርዓትን ልምድን ጸኒዑ ኣሎ። ኣቡናት ዝኾኑ ካብ'ቶም ኣብ ሕይወት-ተዓቅቦ ዘለዉ እንኪኅረዩ፣ ምርዑዋት ሰበኺዳን (ሰብ ሕጊ) ሰብኡት፣ ዲያቆናት ኮነ ካህናት ኮይኖም መዓርግ ኪለብሱ ይርከቡ። እዚ ልምድ'ዚ ካብ ነዊሕ እዋን ግቡእን ብቑዕን ኮይኑ ዝተገመተ እዩ። እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ካህናት፡ ኣብ ማእከል ማኅበረ-ምእመናኖም፡ ፍረ ዘለዎ ኣገልግሎትን ተልእኮትን ከበርክቱ ይርከቡ።[73] ብተወሳኺ ክህነታዊ ተዓቅቦ (ድንግልና) ኣብ ምሥራቓውያት ኣብያተክርስትያን ከይተረፈ ልዑል ክብሪ ዚወሃቦ፣ ብዙኃት ካህናት'ውን ምእንቲ መንግሥቲ-እግዚኣብሔር ኪብሉ ብድልየትን ብናጽነትን ዝመረጽዎ፡ ኮይኑ ይርከብ። ብዝተረፈ ኣብ ምሥራቕ ኮነ ኣብ ምዕራብ፣ እቲ ድሮ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ዝተቐበለ ሰብ ኪምርዖ ፈጺሙ ኣይክእልን እዩ።

[69] ዕብ 5:4 ረአ
[70] ማቴ 19:12
[71] 1 ቆሮ 7:32
[72] መዓርግ ክህነት PO 16 ረአ
[73] መዓርግ ክህነት PO 16 ረአ

# VII. ናይ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ፍርያት

## ዘይድምሰስ ማኅተም

**1581** እቲ ተቐባሊኡ ንቤተክርስትያን ዘበቕዕ ናይ ክርስቶስ መጋበሪ ኮይኑ
1548 ምእንቲ ኺርከብ፣ በዚ ምሥጢር'ዚ ፍሉይ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ተቐቢሉ፣
ብኣምሳል ክርስቶስ ይቐረጽ። ብሢመተ-መዓርግ እምበኣር ሓደ ሰብ፣ ነቲ ብናይ
ካህንን ነቢይን ንጉሥን ሥሉስ ሥልጣኑ ርእሲ-ቤተክርስትያን ዝኾነ ክርስቶስ
ወኪሉ ኪሰርሕ ይኽእል።

**1582** ልክዕ ከም'ቲ ናይ ጥምቀትን ሜሮንን ኵነት እዚ ኣብ ሥልጣን
1121 ክርስቶስ ዜሳትፍ ኵነት ድማ ሓንሳብ ንወትሩ እዩ። እዚ ምሥጢረ ቅዱስ
መዓርጋት'ውን ልክዕ ከምቲ ካልእ ክልተ ምሥጢራት ዘይድምሰስ መንፈሳዊ
ማኅተም ዚዕድል እዩ፤ ኪድገም ወይ ከኣ ንግዜኡ ኪወሃብ ኣይከኣልን።[74]

**1583** ብሥርዓት መዓርግ ዝለበሰ ሓደ ሰብ፣ ብኸቢድ ምኽንያት፣ ምስ ሢመተ-መዓርጋት ካብ ዝተኣሳሰረ ተግባራትን ግዴታታትን ኪብየን፣ ወይ ንኸይፍጽም ኪእገድ ከምዚከኣል ሓቂ እዩ፤ እንተኾነ ተመሊሱ ከም ሓደ ተራ ሕዝባዊ (ዓለማዊ) ኪኸውን ኣይክእልን፤[75] ከመይሲ እቲ ብሢመተ-መዓርግ ዝተቐበሎ ማኅተም ንዘለዓለም እዩ። እቲ ብዕለተ-ሢመቱ ዝለበሶ ጸዋዕታን ተልእኮትን ከኣ ንወትሩ ዚነብር ምልክት ኃቲሙሉ እዩ።

**1584** እቲ ቐንዲ ግብረ-ድኅነት ዚፍጽምን፡ ፍረኡ ዘጨብጥን ክርስቶስ
1128 ባዕሉ፡ በቲ መዓርግ ዝለበሰ ላእክ ኣቢሉ ስለዝኾነ፣ ናይ'ቲ ላእክ (ልኡኽ)
ዘይብቕዓት ንኽርስቶስ ካብ ምስራሕ ኣይዕንቅጾን እዩ።[76] ቅዱስ ኣጕስጢኖስ ነዚ
ሓሳብ'ዚ ኣዕዚዙ ይገልጾ፡-

> 1550 ብዛዕባ'ቲ ብትዕቢት ዝተወጠረ ላእክ (ልኡኽ) እንተደኣኮይኑ፣ ምስ ዲያብሎስ ማዕረ እዩ ኪጥመት ዘለዎ። ጸጋ-ክርስቶስ ግን በኣኡ ረኺሱ ማለት ኣይኮነን፤ እቲ በኣኡ ኣቢሉ ዚፈስስ፡ ብንጹሑ እዩ ዚፈስስ፣ እቲ በኣኡ ዚሓልፍ ብጽሩዩ ይነብር። ናብ'ቲ ዜፍሪ መሬት ከኣ ይበጽሕ.....። ናይ'ቲ ምሥጢር መንፈሳዊ ኃይሊ ብርግጽ ምስ ብርሃን ዚነጻጸር እዩ፤ ወላ'ኳ ብዝተመራስሐ ነገራት ኣቢሉ ዚሓልፍ እንተኾነ፣ እቲ ብርሃን ብቐንዱ ኣይረስሕን እዩ፤ እቶም በኣኡ ኪበርሁ ዘለዎም ከኣ ብጽሩዩ እዮም ዚቐበልዎ።[77]

---

[74] ጉባኤ ትረንቶስ፡ ደንዚንገር DS 1767፣ ብር.ኣሕ. LG 21፣28፣29፣መዓርግ ክህነት PO 2
[75] ሕገቀኖና፣ ቀ. 290-293፣1336 § 1 3፣ 5፣ 1338 § 2፣ጉባኤ ትረንቶስ፡ ደንዚንገር DS 1774 ረአ
[76] ጉባኤ ትረንቶስ፡ ደንዚንገር DS 1612፣ደንዚንገር DS 1154 ረአ
[77] ቅ.ኣጕስጢኖስ In Jo. ev. 5,15፡ PL 35, 1422

## ጸጋ መንፈስ ቅዱስ

**1585** እዚ ምሥጢር'ዚ ዚዕድሎ ጸጋ-መንፈስ ቅዱስ ማለት፣ እቲ መዓርግ ዝለበሰ ላእክ (ልኡኽ) ከገልግሎ ንዘለዎ ካህን-መምህር-ጓሳ ንዝኾነ ቅርጺ-ክርስቶስ ምምሳል ማለት እዩ።

**1586** ንኣቡን ቅድሚ ኵሉ ጸጋ-ጽንዓት ይህቦ፤ ("ዘመሓድርን-ዚመርሕን መንፈስካ" = *ኣብ ሥርዓት-ላቲን ዘሎ ጸሎተ ሢመተ-ጳጳሰና*)፣[78] እዚ ኸኣ፣ ከም መጠን ኣቦን ጓሳን ብጽንዓት-መንፈስን ብጥበብን ንቤተክርስትያን ኪከላኸለላን ኪመርሓን፣ ንኹሉ ለጋሥ ብዝኾነ ፍቕሪ፣ኣውራ ድማ ንድኻታትን፡ ሕሙማንን ኣብ ጸገም ንዚርከቡን ብፍሉይ ፍቕሪ ኪጥምተሉን ኪጎልየሉን ዚኽእል ጸጋ ይቕበል። ወንጌል ንኹሉ ኪሰብኽ፣ ምስ'ቲ ሠዋዕን ተሠዋዕን ዝኾነ ክርስቶስ ካህን ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ ርእሱ ብምውህሃድ፡ ንኣባጊዑ ሕይወቱ ንምውፋይ ድሕር ከይበለ፣ ብመንገዲ ቅድስና ቀቅድሚኤን ብምጕዓዝ ንመጓሰኡ ኣብነትን ኣርኣያን ኪኸውን፣ እቲ ጸጋ'ቲ ኪድርኾ ይርከብ፡- 2448

> ኦ እግዚኣብሔር-ኣቦ! ንኹሉ ልብታት እትፈልጥ፣ 1558
> ንኣገልጋሊኻ ናብ'ዚ ናይ ጵጵስና ሥልጣን ዝሓሬኻዮ ንስኻ ኢኻ።
> ንቕዱስ መጓሰኻ ዚበቅዕ ጓሳ፣
> ኣብ ቅድሜኻ መንቅብ ከም ዘይብሉ፣
> ለይትን መዓልትን ነኣኻ ዚለኣኽ ሊቀካህን ይኹን።
> ኣብ ቅድሜኻ ወትሩ ሞገስን ቡራኬን ዚረክብ
> ናይ ቅድስቲ ቤተክርስትያንካ ህያባት ዘወፊ ይኹን።
> ከም'ቲ ትእዛዝካ፣ ኃጢኣት ምእንቲ ኪኃድግ፣
> ከም'ቲ ዝወሰንካዮ ድማ፡ ተልእኮታት ከመሓድር፣
> ንሓዋርያትካ ብዝሃብካዮ ሥልጣን፣ ካብ ዝኾነ ማእሰር ኪፈትሕ
> ንሊቀካህን ጸጋ ዚህብ መንፈስ-ክእለት ጸግዎ፣
> በቲ ሕያውነቱን ርግኣቱን፣ ብንጽሕና ልቡን፡
> ብወድኻ ኢየሱስ ክርስቶስ..... ምዑዝ ወፈያ ዜቕርበልካ ይኹን።[79]

**1587** እቲ ብሢመተ መዓርገ-ክህነት ዚወሃብ መንፈሳዊ ጸጋ፡ በዚ ናይ ሥርዓተ-ኣምልኾ ቢዛንቲን ጸሎት ዚግለጽ እዩ። እቲ ኣቡን ኣብ ርእሲ ተሠያሚ ኢዱ ብምንባር ካብ ዚጽልዮ ጸሎታት ሓደ እዩ፡- 1564

> ኦ! ጐይታ ኣብ ቅድሚ ታቦተ-ምሥዋዕካ ብዘይነቐፋ ንኪቐውምን፣
> ብቑዕ ንኪኸውንን፣
> ወንጌል-መንግሥትኻ ንኺሰብኽ፣

---

[78] *ሮማዊ መጽ.ጳጳስ*,Ordin. of Bishops 26,Prayer of Cons. **ክርስቶስ ጐይታ** CD 13;16
[79] *ሮማዊ መጽ.ጳጳስ* Ordination of Bishops 26, Prayer of Consecration፣**ቅ.ሂፓሊቱስ** Trad. ap. 3፡ SCh ll, 44-46.

ናይ ቃል-ሓቅኻ ተልእኮት ንኪፍጽም፣
መንፈሳዊ ህያባትን መሥዋዕትን ንኽወፍየልካ፣
ንሕዝብኻ ብሕጽበተ-ዳግምልደት ንኽሓድሶ፣
ብዕለተ ዳግማይ ምጽኣቱ፣
ነቲ ዓቢይ ኣምላኽናን ጐይታናን ኢየሱስ ክርስቶስ ወድኻ ንምርኻብ ምእንቲ ኪወጽእን፣
ካብ'ቲ ዓቢይ ኂሩትካ ድማ፡
ከም ሥርዓት'ቲ እሙን ኣመሓዳሪ ዓስቡ ምእንቲ ኪቕበል
ነዚ ናብ ደረጃ መዓርገ-ክህነት ልዕል ከተብሎ ዝሠመርካ ኣገልጋሊኻ፡
ብህያብ መንፈስ ቅዱስካ ክትመልኦ ንልምነካ።[80]

**1588** ንዲያቆናት ብዚርኢ ከኣ "ንሳቶም፡ ብጸጋ'ቲ ምሥጢር ደልዲሎም፣
1569 ምስ ኣቡንን ዘመደ-ክህነቱን ሠሚሮም፣ ኣብ ኣገልግሎት ግብረ-ኣምልኾን፡ ስብከተ ወንጌልን፡ ናይ ግብረ-ሠናይ ስራሓትን ንሕዝቢ-እግዚኣብሔር ይውፈዩ።"[81]

**1589** ኣብ ቅድሚ ክንድ'ዚ ዚኣክል ዕቤት ክህነታዊ ጸጋን መዝነትን ዝተረኽቡ ቅዱሳን ሊቃውንቲ-ቤተክርስትያን፣ ብምሥጢራቱ ላእካኑ ምስ ዝገበሮም፣ መላእ ሕይወቶም ምስኡ ከምዚሰማማዕ ንኺገብሩ፣ ህጹጽ ዝኾነ መደብ ስራሕ ከምዘድልዮም ተፈለጦም። ምእንት'ዚ ከኣ ቅዱስ ጐርጐርዮስ በዓል እንዚናዙ፣ ከም መጠን ንኡስ ካህን ብኸምዚ ዝበለ ምድናቕ ይገልጾ፡-

460
1551
ንኻልኦት ቅድሚ ምንጻሕና፣ ርእስና ብምንጻሕ ክንጅምር ይግበኣና። ንኻልእ ምምሃር ምእንቲ ክንክእል፡ ንባዕልና ክንመሃር የድልየና፤ ንኽነብርህ ብርሃን ክንከውን፣ ንኣምላኽ ናብ ካልኦት ንኽነቕርቦ ቅድም ንርእስና ናብኡ ክንቀርብ፣ ንኻልእ ንኽንቅድስ፡ ቅድም ንሕና ክንቅደስ፣ ብኢድና ክንመርሕ ብጥበብ ክንመክር የድልየና። ናይ መን ላእካን ምዃንናን፣ ኣበየናይ ልዑል ክብሪ ከምዘሎናን፣ ናበይ ገጽና ከምዝተመጣጠርናን ኣጸቢቓ እፈልጥ እየ። ናይ ኣምላኽ ዕቤቱን፣ ናይ ሰብ ድኻምነቱን ዘለዎ ክእለቱን ይርድኣኒ ኣሎ። እሞ እዚ ካህንስ መን'ዩ? ንሱ ንሓቂ ዚከላኸለላ፣ ምስ መላእኽቲ ዚቐውም፣ ምስ ሊቃነመላእኽቲ ስብሓታት ዜቕርብ፣ ኣብ'ቲ ናይ ሰማይ ታቦተ-ምሥዋዕ መሥዋዕቲ ከምዚዓርግ ዚገብር፣ ኣብ ክህነት-ክርስቶስ ዚሳተፍ፣ ንፍጥረት ዘሓድሶን፣ ምስሊ-ኣምላኽ ዚመልሰሉን፣ ነቲ ላዕላይ ዓለም ዚበቅዕ ገቢሩ ዳግማይ ዚፈጥሮን፣ ካብዚ ብዝዓበየ'ውን መለኮታዊ ዝኾነን፣ መለኮታዊ ዚገብርን እዩ"።[82]

እቲ ቅዱስ ካህን-ኣርስ ከኣ ከም'ዚ ይብል "ካህን ነቲ ስራሕ ድኅነት ኣብ ምድሪ ይቕጽሎ... ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ከሎና ካህን እንታይ ምዃኑ

[80] ሊጡርግያ ቢዛንቲን Euchologion.
[81] ብር.ኣሕ. LG 29
[82] ቅ.ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ Oratio 2, 71, 74, 73፡ PG 35, 480-481.

እንተንርዳእሲ፣ ብስንባድን ፍርሃትን ዘይኮነስ ብፍቕሪ ምሞትና...። ክህነት ማለት እቲ ኣብ ልቢ ክርስቶስ ዘሎ ፍቕሪ እዩ።"[83]

## ብሓጺር

1590 ቅዱስ ጳውሎስ ንተመሃራዩ ጢሞቴዎስ ከምዚ ዚስዕብ ይብሎ፤ "ነቲ ብኣንብሮተ-ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ውህበት-ኣምላኽ ክተሓድሶ ኣዘክረካ ኣሎኹ"(2ጢሞ.1፡6)፣ ከምኡ'ውን "ኤጲስቆጶስ ኪኸውን ዚምነ ሠናይ ነገር ይምነ"(1ጢሞ.3፡1) ንቲቶስ ድማ ፡"ኣብ ቀርጤስ ዝኀደግኩኻ፡ከምቲ ዝኣዘዝኩኻ ገቢርካ፣ነቲ ክይተወድአ ዝተረፈ ምእንቲ ክትሠርዕን፣ኣብ ዓዓዱ ኤጲስቆጶሳት ክትሸይምን ኢለ እየ" (ቲቶስ፡1፡5)።

1591 ቤተክርስትያን ብመላኣ ክህነታዊ ሕዝቢ እያ። ብጥምቀቶም፡ ኵሎም ምእመናን ኣብ ክህነት-ክርስቶስ ተሳተፍቲ እዮም። እዚ ተሳታፍነት'ዚ "ናይ ምእመናን ሓባራዊ ክህነት" ይበሃል። ኣብ'ዚ ሓባራዊ ክህነት ዝተመሥረተን፣ ናብ ኣገልግሎቱ ዘተኲረን ኣብ ተልእኮ-ክርስቶስ ዚሳተፍ ካልእ እውን ኣሎ፣እዚ ኸኣ ብምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ዚወሃብ እንኪኸውን፣ስራሑ ድማ ኣብ ማእከል'ታ ማኅበር፣ ርእሲ ንዝኾነ ክርስቶስ ወኪልካ፣ ብስሙን ኣብ ክንድኡን ምግልጋል እዩ።

1592 እቲ መዓርጋዊ ተልእኮታዊ ክህነት፡ ብዅነቱ ካብ'ቲ ናይ ምእመናን ሓባራዊ ክህነት ዚፍለ፣ ንኣገልግሎት ምእመናን ዚውዕል መንፈሳዊ ክእለት (ሥልጣን) ስለዚዕድል እዩ። እቶም ሰብ መዓርግ ላእካን ኣብ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ዚፍጽምዎ ኣገልግሎቶም፣ ብምስትምሃር (መሃሪ ሥልጣን)፣ ብመለኮታዊ ኣምልኾ (ኣምልኾኣዊ ሥልጣን) ብሓዋርያዊ ምምሕዳር (ኣመሓዳሪ ሥልጣን) ይፍጽምዎ።

1593 ካብ ፈለማ ኣትሒዙ፣ እቲ መዓርጋዊ ተልእኮት ብሠለስተ ደረጃታት ወይ መደባት ኪወሃብን ኣብ ግብሪ ኪውዕልን ተረኺቡ፡- ናይ ኣቡናት (ጳጳሳት)፣ ናይ ካህናት፣ናይ ዲያቆናት እቲ ብሢመተ-መዓርግ ዚወሃብ ተልእኮት ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ሕያውን መሠረታውን ኣቀዋውማ መተካእታ ዘይብሉ እዩ። ብዛዕባ ቤተ ክርስትያን እንክትዛረብ ብዘይካ ኣቡንን (ጳጳስ) ካህናትን ዲያቆናትን፣ ዘይከኣል እዩ። (ቅ.እግናጽዮስ ዘኣንጾኪያ Ad.Trall. 3,1 ረአ)

[83] ቅ.ዮሓንስ ቪያነ quoted in B. Nodet, Jean-Marie Vianney, Cure' d' Ars, 100.

1594 ኣቡን (ጳጳስ) ናይ ቅዱስ መዓርጋት ምልኣተ-ምሥጢር ዝተቐበለ እዩ፤ እዚ ኸኣ ምስ ጳጳሳዊ ድርገት ዘወሃህዶን፣ ናይ'ታ ሕድሪ ዝተዋህበቶ ፍልይቲ ቤተክርስትያን ርኡይ ርእሲ ወይ መራሒ ዚገብሮን እዩ። ከም መጠን ተካእቲ ሓዋርያትን፡ ኣባላት'ቲ ጳጳሳዊ ድርገትን፣ ኣቡናት ኣብ ትሕቲ ሥልጣን ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ምትክእ ጴጥሮስ ኮይኖም፣ ኣብ'ቲ ናይ መላእ ቤተክርስትያን ሓዋርያዊ መዝነትን ተልእኮትን ይሳተፉ።

1595 ካህናት በቲ ክህነታዊ ክብሪ፡ ምስ ኣቡናት ሓድነት ይተኸሉ፣ ምስ'ዚ ድማ ኣብ ምፍጻም ሓዋርያዊ ተግባራቶም ኣብ ኣቡናቶም ይምርኰሱ። ናይ ኣቡናት ጥበበይናታት ተሓጋገዝቲ ኪኾኑ ዝተጸውዑ እዮም። ኣብ ዙርያ ኣቡኖም ብምኳን ድማ፡ ናይ'ታ ፍልይቲ ቤተክርስትያን ሓላፍነት ዚለብስ ድርገተ-ካህናት የቐውሙ። ናይ ቊምስና ማኅበረ-ምእመናን ሓላፍነት ወይ ካልእ ናይ ቤተክርስትያን መዝነት ካብ ኣቡን ይቕበሉ።

1596 ዲያቆናት፡ ኣብ ቤተክርስትያን ምእንቲ ዚፍጽምዎ ኣገልግሎት መዓርግ ዝለበሱ ላእካን እዮም። መዓርጋዊ ክህነት ኣይቅበሉን፣ እቲ ዚቕበልዎ ሚመት ግን፡ ከም ስብከት ቃል-ኣምላኽ፣ መለኮታዊ ኣምልኾ፣ ሓዋርያዊ ምምሕዳር፣ ናይ ግብረ-ሠናይ ኣገልግሎት ከም ዝበለ ኣገዳሲ ተግባራት ንምፍጻም ጸጋ ይዕድሎም። ነዚ ስራሓት'ዚ ዚፍጽምዎ ከኣ ኣብ ትሕቲ ሓዋርያዊ ሥልጣን ኣቡኖም ኮይኖም እዮም።

1597 ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት፣ ብዓጀብ ብዚግበር ቀዳሲ ጸሎት ብዝተሰነየ ኣንብሮተ-እድ ይፍጸም። በቲ ቀዳሲ ጸሎት ድማ፡ ኣብ ልዕል'ቲ ተሠያሚ ኣብ ተልእኮኡ ዜድልዮ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኣምላኽ ምእንቲ ኪዕድሎ፡ ምህለላ ይግበር። እዚ ሚመት ቅዱስ መዓርጋት ዘይድምሰስ ናይ ምሥጢር ማኅተም የሓድግ።

1598 ቤተክርስትያን ነዚ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት እትዕድሎ፣ ነዚ ተልእኮት'ዚ ይበቕዑ እዮም ተባሂሎም ዝተገመቱ'ሞ ጸጋ-ጥምቀት ንዝተቐበሉ ሰብኡት ጥራሕ እያ። ሓደ ሰብ ናይ ቅዱስ መዓርጋት ምሥጢር ንኪቕበል ኪጽውዖ መሰልን ኃላፍነትን ዘለዎ ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣን ጥራሕ እዩ።

1599 ኣብ ላቲናዊት ቤተክርስትያን፡ ናይ ምሥጢረ-ክህነት ቅዱስ መዓርጋት ከም ንቡር ዚወሃብ፣ ነቶም ከይተገደዱ፡ ሕይወት ተዓቅቦ ብናጻ ኪሓቑፉ ስንድዋት ዝኾኑን፣ ንሓዋሩ'ውን ምእንቲ ፍቕሪ-መንግሥቲ-እግዚኣብሔርን ኣገልግሎት ደቅሰብን፡ ኣብ

ሕይወት-ተዓቅቦ ኪነብሩን ኪቐጽሉን፣ ዘለዎም ኀሊና፣ ብሥርዓት ዝገለጹን ጥራሕ እዮም።

1600 ናይ ምሥጢረ ቅዱስ መዓርጋት ሠለስቲኡ ደረጃታቱ፡ ዚዕደል ብኣቡን እዩ።

---

## ኣንቀጽ 7
# ምሥጢረ ተክሊል (ቃል ኪዳን)

1601 "ሰብኣይን ሰበይትን ንምሉእ ሕይወቶም ብኅብረትን ብሓድነትን ሠሚሮም ንምንባር ዚኣትዉዎ ተኽሊላዊ ኪዳን፣ ብባሕሪኡ ንረብሓ'ቶም ሰበኺዳንን፣ ውሉድ ንምፍራይን፡ ንምዕባዮምን ዝዓለመ እዩ። ነዚ ኣብ መንነ ዝተጠምቁ ሰባት ዚእቶ ኪዳን፣ ክርስቶስ ጐይታ፣ ናብ መዓርግ ምሥጢር ኣደይብዎ እዩ።"[84]

## I. መውስቦ ብመደብ ኣምላኽ

1602 ቅዱስ መጽሓፍ፣ ሰብኣይን ሰበይትን ብኣምሳል-ኣምላኽ ከምዝተፈጥሩ፡ 369
ብምዝንታው ጀሚሩ፣ "ብናይ'ቲ ገንሸል በዓል መርዓ"[85] ድማ ይዛዝም። ቅዱስ 796
መጽሓፍ ብመላኡ ከኣ ተክሊል "ምሥጢር" ምዃኑ፡ ብዛዕባ ሥርዓቱን፣ ብኣምላኽ ዝተዋህቦ ትርጓሜታቱን፣ በቲ መበቈሉን መወዳእታ ዕላማኡን ይዛረብ። ኣብ መደብ ታሪኽ-ድኅነት ዘለዎ ዝተፈላለየ ተፍጻሜትን፡ ብሰንኪ ኃጢኣት ዝተንቀሳቐሰ ጸገማትን፣ ብኣምሳል'ቲ ናይ ክርስቶስን ቤተክርስትያንን ሓዲሽ ኪዳን ድማ "ብጐይታ" ከምዝተሓደሰ ይዝርዝር።[86]

## መውስቦ ኣብ ሥርዓት ፍጥረት

1603 "እቲ ዓሚቑን ረቂቕን ዝኾነ ምውህሃድ ዝዓሰሎ፡ ናይ ፍቕርን 371
ሕይወትን ኅብረት ዝኾነ መደብ መውስቦ፡ ብፈጣሪ ዝተሠርዐ እንኪኸውን፣ 2331
ባዕሉ'ውን ኣምላኽ ነኣኡ ዚርኢ ፍሉይ ሕግታቱ መዲቡሉ ኣሎ።... ኣምላኽ 2210
ባዕሉ ናይ መደብ መውስቦ መሃዚኡ ዋናኡ እዩ።[87] ሰብኣይ ኮነ ሰበይቲ ካብ ኢድ-ፈጣሪ ኪወጽኡ ከለዉ፣ ኣብ'ቲ ቀንዲ ባሕሪኦም ናይ መውስቦ ጸዋዕታን

---

[84] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1055 § 1፣ፍሥሓን ተስፋን GS 48 § 1 ረአ
[85] ራእ 19፡7፣9፣ ዘፍ 1፡26-27 ረአ
[86] 1 ቆሮ 7፡39፣ ኤፌ 5፡31-32 ረአ
[87] ፍሥሓን ተስፋን GS 48 § 1.

*መደብን ተጻሒፉሎም እዩ። ኣብ ብዝሒ-ኣዝማናት ብዝተፈላለየ ባህልን፡ ማኅበራዊ ኣሰራርዓን መንፈሳዊ ኣተናታትን ሓሊፉ ዝመጸን፣ኃያሎይ ለውጥታት ዝተጻወረን ደኣ ይኹን'ምበር፣ መውስቦ ውጹእ ሰብኣዊ ትካል ወይ ሥርዓት ኪበሃል ኣይከኣልን። እዚ ምልውዋጣት'ዚ ግን ነቲ ሓባራውን ነባርን ዝኾነ ባህርያቱን ኵነታቱን ክንርስዕ ዚድርኸና ኣይኮነን። ናይ'ዚ ሥርዓት ወይ ትካል ክብሩን ዕቤቱን ብተመሳሳሊ ንጹርነት ኣብ ኵሉ'ኳ ግልጺ እንተዘይኮነ፣*[88] *ናይ'ዚ ኪዳናዊ ሓድነትን መውስቦን ገለ ዓይነት ዕቤትን ግምትን ግን ኣብ ኵሉ ባህልታትን ልምድታትን ዘሎ እዩ። "ናይ ውልቀሰብ ኮነ፣ ናይ ክልቲኡ ማለት ናይ ሰብኣውን ክርስትያናውን ኅብረተሰብ ረብሓን ጥቕምን፣ ምስ'ቲ ቅኑዕን ጥዑይን ዝኾነ ኪዳናውን ስድራቤታውን ሕይወት ዝተኣሳሰረ እዩ።*[89]

**1604** *እቲ ብፍቕሪ ተደሪኹ ንሰብ ዝፈጠረ ኣምላኽ፣ ናብ ፍቕሪ'ውን*
355 *ኪጽውዖ ተረኺበ። እዚ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ መሠረታውን ዓሚቝ ውሽጣውን*
*ጸዋዕታ እዩ። ምኽንያቱ ሰብ፣ ፍቕሪ ብቐንዱ ዝኾነ ኣምላኽ ብኣምሳሉን*
*ብኣርኣያኡን እዩ ተፈጢሩ።*[90] *ንሰብ ከኣ ሰብኣይን ሰበይትን (ተባዕታይን*
*ኣንስተይትን) ገቢሩ ስለዝፈጠሮ፣ እቲ ሓድሕዳዊ ፍቕሮም፣ ናይቲ እግዚኣብሔር*
*ንሰብ ዜፍቅረሉ ፍጹምን ዘየቋርጽን ፍቕሪ ኣምሳል ኮይኑ ይርከብ። ብዓይኒ-*
*ኣምላኽ ጽቡቕ፣ ኣዝዩ'ውን ጽቡቕ እዩ። እዚ እግዚኣብሔር ዝባረኾ ፍቕሪ ድማ*
*ፈራዪ ኪኸውን፣ ኣብ'ቲ ንተፈጥሮ ዚግበር ናይ ክንክን ሓልዮትን ተገዳስነትን*
*ሠሚሩ ኪፍጸም ዘለዎን እዩ። "ኣምላኽ ከኣ "ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ኸኣ*
*ምልእዋን ምለኽዋን ... እናበለ ባረኾም።"*[91]

**1605** *ሰብኣይን ሰበይትን፣ ሓደ ነቲ ሓደ ኪምልእ ከምዝተፈጥሩ ቅዱስ*
372 *መጽሓፍ የረጋግጸልና። "ሰብኣይ በይኑ ኪኸውን ጽቡቕ ኣይኮነን"*[92]*። እታ*
1614 *ሰበይቲ፣ "ካብ ሥጋኡ ሥጋ እያ"፣ ማዕረኡ ብዅሉ ነገር ቀረባኡ፣ ከም*
*"ሓጋዚት" ብጸይቲ" ብኣምላኽ ዝተዋህበቶ ማለት እዩ፤ ስለ'ዚ ነቲ ምንጪ-ኹሉ*
*ሓገዝና ዝኾነ ኣምላኽ እትውክል (እተመልክት) እያ።*[93] *"ምእንት'ዚ ሰብኣይ*
*ኣቦኡን ኣዲኡን የኃድግ፣ ምስ ሰበይቱ ከኣ ይወሃሃድ፣ ሓደ ኣካል ድማ*
*ይኾኑ"*[94] *"ደጊም ሓደ ኣካል እዮም'ምበር ክልተ ኣይኮኑን"*[95] *ብምባል "ካብ*
*ጥንቱ" መደብ-ፈጣሪ እንታይ ከምዝነበረ ጐይታ ኣነጺሩ እናዘኻኸረ፡ ናይ*
*ክልቲኡ ሕይወቶም ዘይነጻጸል ውህደት ከምዘመልክት የርኢ።*

---

[88] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 47 § 2 *ረአ*
[89] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 47 § 1
[90] *ዘፍ* 1፡27፣1 *ዮሓ* 4፡8፣ 16 *ረአ*
[91] *ዘፍ* 1፡28፣ 1፡31 *ረአ*
[92] *ዘፍ* 2፡18
[93] *ዘፍ* 2፡18-25 *ረአ*
[94] *ዘፍ* 2፡24
[95] *ማቴ* 19፡6

## ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኃጢኣት ዝወደቐ መውስቦ።

1606 ዝኾነ ይኹን ሰብ፣ ኣብ ዙርያኡ ኮነ ኣብ'ቲ ውሽጣዊ ህልውናኡ፣ ናይ ክፍኣት ምህላው የስተውዕል እዩ። እዚ ተመክሮ'ዚ ንርእሱ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ሰብኣይን ሰበይትን ዘሎ ርክብ'ውን ኢድ ኣለዎ። እቲ ሓድነቶም ብናይ ዘይምስምማዕ፣ ናይ ጸብለልትነት፣ ዘይተኣማንነት፣ ብቕንኢ ኮነ ኻልእ ናብ ጽልእን ምፍልላይን ብዜብጽሕ ምትህልላኻት ወትሩ ሓደጋ ምስ ኣንጸላለዎ እዩ። እዚ ዝዓይነቱ ሁከትን ዕግርግርን፡ በብደረጃኡ ኪግለጽ ይርከብ፣ ብመጠኑ'ውን ከከም ሃለዋቱን ባህልታቱን ከከም ዘመናቱን ውልቀሰባቱን ፍታሕ ኪርከቦ ዚከኣል'ኳ እንተኾነ፣ ኣብ ኩሉ ዘሎ፣ ሓባራዊ ጠባይ ዘለዎ ይመስል።

1607 እዚ ብምረት እነስተውዕሎ ዘሎና፡ ናይ ዘይምስምማዕ ተርእዮ፣ ካብ ባሕርይ-ሰብኣይን ባሕርይ ሰበይትን ብቐንዱ ኮነ፣ ካብ'ቲ ርክቦም ዚፍልፍል ዘይኮነስ፣ ብመደብ እምነት ከምንርድኦ ካብ ኃጢኣት ዚመጽእ እዩ። እቲ ምስ እግዚኣብሔር ምብትታኽ ዘኸተለ ፈለማ ኃጢኣት፣ ካብቲ ቀዳማይ ሳዕቤናቱ፣ ነቲ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ዝነበረ ንጹሕን ሥሩዕን ሓድነት ብዓመጽ ከምዚቑስል ምግባሩ እዩ። ርክቦም በቲ ሓድሕዳዊ ምክሳሳቶም ተመዛቢሉ፣[96] ብቐንዱ ህያብ-ፈጣሪ ዝኾነ ሓድሕዳዊ ባህግን ፍቕርን፣ ናብ ዕብለላን ሃረርታ ፍትወት-ሥጋን ተለወጠ፤[97] ንሰብኣይን ንሰበይትን ዝተዋህበ፣ ኪፈርዩን ኪባዝሑን ንምድሪ'ውን ኪገዝእዋ ንዜመልክት ሠናይ ዝኾነ መጸዋዕታ ድማ፣ ናይ ወሊድ ሥቓይን፣ ናይ ስራሕ ድኻምን ጽዕነት ኪድረቦ ተረኽበ።[98] 1849 400

1608 ብዝኾነ ግን፣ኣዝዩ ዝተዘናበለን ብኸቢድ ዝቈሰለን ደኣ ይኹን'ምበር፣ 55
እቲ ሥርዓት ፍጥረትስ ቀጺሉ እዩ። ነዚ ኃጢኣት ዘቖሰሎ ሃለዋት ንምሕዋዩ፡ ብወገን ሰብኣይ ኮነ ብወገን ሰበይቲ፣ ብዘለዓለማዊት ምሕረቱ ኣምላኽ ፈጺሙ ዘይነፈጎም ሓገዝ-ጸጋኡ የድልዮም እዩ።[99] ብዘይካ'ዚ ሓገዙ ድማ ሰብኣይ ኮነ ሰበይቲ፣ ነቲ "ብፈለማ" እግዚኣብሔር ዝፈጠሮም ናይ ሕይወቶም ሓድነት ኪጭብጥዎ ኣይክእሉን እዮም።

## መውስቦ፡ ብትምህርቲ ሕገ-ብሉይ

1609 ብምሕረቱ ዚኣክል፡ እግዚኣብሔር ነዚ ኃጢኣተይና ሰብ ፈጺሙ 410
ኣይመነኖን። ከም "ናይ ወሊድ ሥቓይ" ከምኡ'ውን "ብረሃጽካ እንጌራኻ ምብላዕ"[100] ዚብል ሳዕቤን-ኃጢኣት ኮይኑ ዝመጽአ ቅጽዓታት ብርእሱ፣ ነቲ ካብ ኃጢኣት ዚመጽእ ጕዳኢ ውጽኢታቱ ዚድርት ፈውሲ ዚሓቑፍ እዩ። ድሕሪ

[96] ዘፍ 3፡12 ረአ
[97] ዘፍ 2፡22፣3፡16b ረአ
[98] ዘፍ 1፡28፣3፡16-19 ረአ
[99] ዘፍ 3፡21 ረአ
[100] ዘፍ 3፡16፣ 19

ውድቀት፡ መደብ መውስቦ ኣብ ርእሰ'ኻ ምጥሓልን ኣንነትን፣ ናይ ውልቅ'ኻ ባህታ ም'ኽታልን ከምዝበለ ዝንባሌታት ንምስዓር ይሕግዝ፣ ርእሰ'ኻ ን'ኻልእ ሰብ ከተርሑን፡ ክትቀባበልን፣ ናብ ሓድሕዳዊ ሓገዝን፣ርእሰ-ወፈያን ይመርሓካ።

**1610** ብዛዕባ ናይ ኪዳን ሓድነትን፣ ፈጺሙ ዘይፍታሕ ጽንዓትን ዚርኢ
1963 ሞራላዊ ኅሊና፣ ኣብ ናይ ሕገ-ብሉይ ሥነመዕበያ ዝማዕበለ እዩ። ኣብ ብሉይ
2387 ኪዳን እቲ ኣበውን ነገሥታትን ዘዘውተርዎ ብሓደ ግዜ ብዙኃት ኣንስቲ ምእታው ብግልጽን ብንጹርን ኪንጸግ ኣይንረኽቦን። እንተኾነ ግን፣ እቲ ንሙሴ ዝተዋህበ ሕጊ፣ ሰብኣይ ኣብ ልዕሊ ሰበይቱ ከም ዊንታኡ ዚፍጽሞ ምልኪ ከየዘውትር፣ ነታ ሰበይቲ ጽላል ንምኳን ዝዓለመ ከምዝነበረ ይረአ። ምስዚ'ውን፣ ካብ'ቲ ቃላት-ጐይታና ክምንርድኦ ሙሴ ኣንስቶም ንኪፈትሑ ክሳብ ምፍቃድ ዘብጸሖ ናይ ሰብ "ትሪ-ልቢ" ምኳኑ እዩ።[101]

**1611** እግዚኣብሔር ምስ ሕዝቢ-እስራኤል ዝኣተዎ ኪዳኑ፣ ምስ'ቲ ተኣማንነት
219 ዚሓትትን፣ ቀናእን ዝኾነ ኪዳናዊ ፍቕሪ ኣመሳሲሎም ብምርኣይ፣ ነቢያት ኣብ
2380 ናይ'ቲ ኅሩይ ሕዝቢ ኅሊና፣ ናይ ኪዳን ሓድነትን ዘይፍታሕ ኵነትን ዓሚቝ
2361 ርድኢት ከስርጽሉ ተረኺቡ።[102] ብዛዕባ ናይ ኪዳን ልዕልናን ዕቤትን፣ ኣብ መንጎ ሰበ'ኺዳን ብዛዕባ ዚህሉ ሓድሕዳዊ እምነትን ፍቕራዊ ቅርበትን፡ መጻሕፍቲ ሩትን ጦቢትን ኣዝዩ ዜለዓዕል ምስክርነት የቕርቡልና። ከም ሞት ኃያል ናይ ዝተባህለላ፡ "ብዙሕ ማይ'ውን ከጥፈኣ ዘይኽእል" ፍቕሪ፣ ማለት ናይ'ታ ፍቕሪ-ኣምላኽ ነጸብራቕ ብምኳኑ እቲ ቅዱስ ትውፊት፡ ንመኃልያተ ሰሎሞን፡ ከም ፍሉይ መግለጺ ሰብኣዊ ፍቕሪ ኪርእዮ ተረኺበ።[103]

## ኪዳን ብትምህርቲ ጐይታ

**1612** እቲ ብናይ መርዓ ኣገባብ ዚግለጽ ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን
521 እስራኤል ሕዝቡን ዝተኣትወ ኪዳን፣ ነቲ ሓዲስን ዘለዓለማውን ኪዳን መሰናደዊ ኮይኑ ተረኺቡ። በዚ ዝተባህለ ሓዲስን ዘለዓለማውን ኪዳን ወልደ-እግዚኣብሔር ሥጋ ብምልባስን፣ ሕይወቱ ኣሕሊፉ ብምሃብን፣ ነቲ ባዕሉ ዘድሓኖ መላእ ዓሌት ሰብ ብገለ ኣገባብ ምስ ርእሱ ከወሃህዶ፣በዚ'ውን "ንመርዓ'ቲ ገንሸል" ከሰናዱ ይርከብ።[104]

**1613** ኢየሱስ፡ ናይ ግብረ-ስብከቱ መደብ ኣብ ምጅማሩ፣ ኣብ'ቲ በዓል መርዓ፡ ብልመና ኣዲኡ ፈለማ ተኣምሩ ፈጸመ።[105] ኢየሱስ ኣብ'ዚ ናይ ቃና መርዓ ምጽንባሩ ብቤተክርስትያን ዓቢይ ግምት ዚወሃቦ እዩ። ኪዳን (መውስቦ)

[101] ማቴ 19፡8፣ዘዳ 24፡1 ረአ
[102] ሆሴዕ 1-3፣ኢሳ 54፣62፣ኤር 2-3፣31፣ሕዝ 16፣23፣ሚል 2፡13-17 ረአ
[103] መኃ 8፡6-7
[104] ራእ 19፡7፣ 9፣ ፍሥሓን ተስፋን GS 22 ረአ
[105] ዮሓ 2፡1-11 ረአ

ሠናይ ነገር ምኺኑ ዝተረጋገጸሉ፤ ከምኡ'ውን ካብ ሕጂ ንደሓር ኪዳን ንሀላዌ-ክርስቶስ ዜገልግል ብቑዕ ምልክት (ትእምርት) ኮይኑ ከምዚቕጽል ዝተገልጸሉ ምኺኑ ገቢራ ቤተክርስትያን ትቕበሎ።

**1614** ነቲ ካብ ፈለማ ኣትሒዙ ብድልየት ፈጣሪ ዝተመደበ ሓድነት 2336
ሰብኣይን ሰበይትን፡ ጥንታዊ ትርጕሙ ብንጹር ኣገባብ ኢየሱስ ኣብ ስብከቱ 2382
ከስተምህሮ ተረኺቡ። ብናቱ ትምህርቲ፣ ሰበይቲ ንምፍታሕ ብሙሴ ዝተዋህበ ፍቓድ ብሰንኪ ትሪ-ልቦም ዝተገብረ ጎድገት እዩ።[106] ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ኪዳናዊ ሓድነት ፈጺሙ ዘይፍታሕ እዩ፤ ባዕሉ እግዚኣብሔር ዝመደቦ እዩ፤ "እምበኣር ነቲ ኣምላኽ ሓደ ዝገበሮ ሰብ ኣይፍለዮ"።[107]

**1615** እዚ ናይ ማእሰር ኪዳን ዘይምፍታሕ፣ ብኸምዚ ዓይነት ንጹርን 2364
ተሪርን ኣበሃህላ ምግላጹ፣ ንገለ ሰባት ኣብ ስክፍታን ምድንጋርን፡ ከውድቕ፣ 1642
ኪፍጸም ወይ ኪጭበጥ ዘይከኣል ነገር መሲሉ'ውን ኪረአ ዚከኣል እዩ። እንተኾነ ኢየሱስ ኣብ ልዕሊ ሰበኺዳን ዘንብሮ ዘሎ፣ ኪጽወር ዘይከኣል ሸክም፣ ከምኡ ዝገደደን ካብ'ቲ ሕጊ-ሙሴ ዝኸበደን ጾር ኣይኮነን ዜሸክም ዘሎ።[108] ነቲ ብኃጢኣት ዝተመዛበለ ሥርዓት ፍጥረት ናብ ንቡር ኪመልሶ ብምምጻእ፣ ንመደብ ኪዳን ብናይ መንግሥቲ-ኣምላኽ ሓዲሽ መንፈስን ኣተናን ንምንባሩ ዜኽእል ብርታዐን ጸጋን ባዕሉ ኪህብ ይርከብ። እቶም ሰበኺዳን ድማ፡ ንክርስቶስ ብቐረባ ብምኽታል ብርእሰ-ምናኔን፣ መስቀሎም ብምጽዋርን፣ ነቲ መሠረታዊ (ጥንታዊ) ትርጕም ኪዳን ኪረኽብዎን፣ ብሓገዝ-ክርስቶስ ከኣ ኪነብርዎን ይኽእሉ።[109] እዚ ናይ ክርስትያናዊ ኪዳን ጸጋ፣ ናይ ኩሉ ሕይወት ክርስትና ምንጪ ካብ ዝኾነ ካብ መስቀል-ክርስቶስ ዚፍልፍል እዩ።

**1616** ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ዚስዕብ ኪብል ከሎ፡ ነዚ ኣነጺሩ ይገልጾ፡- "ኣቱም ሰብኡት ከምቲ ክርስቶስ ንቤተክርስትያን ምእንቲ ኪቕድሳ ዘፍቀራን፡ ሕይወቱ'ውን ምእንትኣ ዘወፈየ፣ ነንስትኹም ኣፍቅሩወን"፣ ቀጺሉ'ውን "ስለ'ዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰበይቱ ሓደ ይኸውን፣ ክልቲኦም ከኣ ሓደ ኣካል ይኾኑ።እዚ ምሥጢር'ዚ ዓቢይ እዩ፤ኣነ ግና ብክርስቶስን ብቤተክርስትያንን እምስሎ ኣሎኹ"።[110]

**1617** መላእ ሕይወት-ክርስትና ድማ፡ ናይ'ዚ ኣብ መንጎ ክርስቶስን 796
ቤተክርስትያንን ዘሎ ኪዳናዊ ፍቕሪ ምልክት ዝሓዘ እዩ። ድሮ'ውን ጥምቀት ንርእሱ ናብ ሕዝበ-እግዚኣብሔር ዜእቱ ናይ መርዓ ምሥጢር እዩ፤ ናይ መርዓ በዓል ንዝኾነ ቅዱስ ቍርባን ቀዲሙ ዚመጽእ ናይ መርዓ ሕጽበት እዩ።[111] እዚ

106 ማቴ 19፡8 ረአ
107 ማቴ 19፡6
108 ማር 8፡34፣ማቴ 11፡29-30 ረአ
109 ማቴ 19፡11 ረአ
110 ኤፌ 5፡25-26፣ 31-32፣ዘፍ 2፡24 ረአ
111 ኤፌ 5፡26-27 ረአ

ክርስትያናዊ ኪዳን ብወገኑ፣ ኣብ መንጎ ክርስቶስን ቤተክርስትያንን ትእምርተ (ምልክት) ኪዳን፣ ዜስልጥ ትእምርት ኪኸውን ይርከብ። ጸጋ ዜመልክትን ዜሳትፍን ብምዃኑ እቲ ኣብ መንጎ ዝተጠምቁ ሰባት ዚፍጸም ኪዳን በሓቂ ናይ ሓዲስ ኪዳን ምሥጢር እዩ።[112]

## ምእንቲ መንግሥቲ-ኣምላኽ ድንግልና

**1618** ናይ ኵሉ ክርስትያናዊ ሕይወት ማእከል ክርስቶስ እዩ። እቲ ምስኡ
2232 ዘሀሉ ርክብ ድማ ልዕሊ ኵሉ ስድራቤታዊ ይኹን ማኅበራዊ ርክብ ዚረአ
1579 እዩ።[113] ነቲ በጊዕ ኣብ ዝኸዶ ንኺኽተልዎ፣ ኣብ ናይ ጐይታ ነገራት ምእንቲ
ከተኵሩ፣ ነኣኡ ንምሕጓስ ምእንቲ ኪጽዕሩ፣ ነቲ ዚመጽእ መርዓዊ ንምቕባል ምእንቲ ኪወጽኡ ኢሎም፣ ነቲ ናይ ቃልኪዳን ዓቢይ ረብሓ ዝመነኑ ሰብኡትን ኣንስትን፣ ካብ'ቲ ቤተክርስትያን ዝተተኽለትሉ ፈለማ እዋናት ኣትሒዞም ነይሮም እዮም።[114] ክርስቶስ ባዕሉ'ውን፣ በዚ ንሱ ንርእሱ ኣብነት ኮይኑ ዚቐርበሉ መደብ-ሕይወት ንኪኽተልዎ ንገለ ገለ ሰባት መጸዋዕታ የቕርበሎም።

> “ካብ ከርሢ-ኣደኦም ስሉባት ኮይኖም ዝተወልዱ ኣለዉ፣ ሰባት ዝሰለብዎም ስሉባት'ውን ኣለዉ፣ ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት ኢሎም ባዕሎም ዝተሰልቡ ስሉባት'ውን ኣለዉ። ነዚ ኪቕበሎ ዚኽእል ይቀበሎ”[115]

**1619** ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት ኢልካ ዚዕተር ድንግልና፣ ነቲ ጸጋ-
922-924 ጥምቀት ኣጸቢቑ ዚገልጽ፣ ምስ ክርስቶስ ናይ ዚህልወካ ርክብ ልዕልና ኃያል
ምልክት ምዃኑ ዜረጋግጽ፣ ናይ ምጽኣቱ ምዉቕ ትጽቢት ምልክት እዩ። መውስቦ ናይ'ዚ ኃላፊ ንብረት'ዚ ኵነት ምዃኑ ዜዘኻኽር ምልክት'ውን እዩ።[116]

**1620** ናይ ኪዳን ምሥጢረ ተክሊልን፣ ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት
2349 ዚጭበጥ መደብ ደናግልን፣ ክልቲኡ ካብ ጐይታ ዝተረኽበ እዩ። ንኽልቲኡ
ትርጕም ዚህብን፣ ከም'ቲ መደቡን ድልየቱን ንክትነብሮ ዜድልየካ ጸጋ ዚዕድልን ባዕሉ እዩ።[117] ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት ንዚተሓዝ ድንግልና ዚወሃቦ ግምትን[118]፣ ናይ ኪዳን ክርስትያናዊ ርድኢትን ዘይፈላለ ዘይነጻጸልን፣ ሓደ ነቲ ሓደ ዜደልድልን እዩ፦

> ንመደብ ኪዳን ዘቃልል ዘበለ፣ ናይ ድንግልና ክብርን ዕቤትን'ውን ዘቃልል እዩ። ዚውድሶ ዘበለ ከኣ፣ ንሱ ንመደብ ድንግልና እውን ኣዝዩ ዚድነቕን ዘንጸባርቕን ይገብሮ። ምስ ክፉእ (ክፍኣት) ጥራሕ ተነጻጺሩ፡ ጽቡቕ ዚመስል

---

[112] ደንዚንገር DS 1800፣ሕገቀኖና፣ ቀ. 1055 § 2 ረአ
[113] ሉቃ 14፡26፣ማር 10፡28-31 ረአ
[114] ራእ 14፡4፣1 ቆሮ 7፡32፣ማቴ 25፡6 ረአ
[115] ማቴ 19፡12
[116] ማር 12፡25፣1 ቆሮ 7፡31 ረአ
[117] ማቴ 19፡3-12 ረአ
[118] ብር.ኣሕ.LG 42፣ፍጽምቲ ፍቕሪ PC 12፣ክህነታዊ መዕበያ OT 10 ረአ

ናይ ሓቂ ጽቡቕ ከይከውን ይኽእል እዩ። እቲ ኣዝዩ ብሉጽ ጽቡቕ ዝኾነ ግን፣ ጽቡቕ ምዃኑ ካብ ዝተኣምነሉ ኣዝዩ ዝበለጸ ምስዚኸውን እዩ"።[119]

## II. ሥርዓት ምሥጢረ ተክሊል (ኪዳን)

**1621** ኵሎም ምሥጢራት፡ ምስ'ቲ ናይ ክርስቶስ ፋሲካዊ ምሥጢር ብዘለዎም 1323
ውሽጣዊ ምትእስሳር፣ እቲ ከም ሥርዓት-ላቲን ኣብ መንጎ ክልተ ካቶሊካውያን 1368
ዚፍጸም ምሥጢረ ተክሊል፡ ከም ንቡር ኣብ ግዜ መሥዋዕተ ቅዳሴ ይሥራዕ።[120] ምስ'ታ ፍቕርቲ መርዓቱ ዝኾነትን፣ ሕይወቱ ምእንታኣ ዝሃበን ቤተክርስትያን ንወትሩ ርእሱ ናይ ዘወሃህደሉ ሓዲስ ኪዳን ዝኽሪ ዚፍጸም ኣብ ቅዱስ ቍርባን እዩ።[121] ምእንት'ዚ ከኣ ሰበኺዳን ቅዱስ ቍርባን ብምቕባል ኣብ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ብምስታፍ፣ ኣብ ክርስቶስ "ሓደ ኣካል" ምእንቲ ከቕውሙ[122] ብወፈያ-ሕይወቶም ንሓድሕዶም ብምውህሃብ ንዚገልጽዎ ፍቓዶም (ሥምረቶም)፣ ክርስቶስ ንቤተክርስትያኑ ርእሱ ምስ ዘወፈየሉ መሥዋዕተ ቅዱስ ቍርባን ኣወሃሂዶም ኪኃትምዎ ግቡእ እዩ።

**1622** "ንቕድስና ዚኸውን ተግባረ-ምሥጢር ከም ምዃኑ መጠን እቲ ሥርዓተ- 1422
ኣምልኾኣዊ ኣገባብ ሥርዓተ ምሥጢረ ተክሊል ንርእሱ... ብቑዕ፡ ግምት ዘለዎን ፈርያምን እዩ።"[123] ምእንት'ዚ ኸኣ፡ መርዓትን መርዓውን፡ ሥርዓተ ምሥጢረ ንስሓ (ኑዛዜ) ብምፍጻም ርእሶም ንሥርዓተ ምሥጢረ ተክሊል ከሰናድዉ ግቡኦም እዩ።

**1623** ከም ሥርዓት ላቲናዊ ትውፊት፣ እቶም ኣብ ኪዳን ዚጽመዱ፣ ናይ ጸጋ-ክርስቶስ ላእካን ወይ ሠራዕቲ ብምዃን፣ ኣብ ቅድሚ ቤተክርስትያን ሥምረቶም (ፍቓዶም) ብምግላጽ፣ ንሓድሕዶም ምሥጢረ ተክሊል ዚፍጽሙ (ዚዕድሉ) ምዃኖም ርዱእ እዩ። ኣብ ናይ ምሥራቕ ኣብያተክርስትያናት ትውፊት ግን እቶም ካህናት (ኣቡናት ወይ ካህናት) ነቲ ብተጻመድቲ ዚግለጽ ሓድሕዳዊ ቃል-ሥምረት መሰኻኽር እዮም። (ሕገ.ቀ. ምሥ..817)፣ ንብቕዓት'ቲ ምሥጢረ ተክሊል ግን ናቶም ቡራኬ ኣድላዪ እዩ። (ሕገ.ቀ.ምሥ.828)።

**1624** ኣብ ልዕሊ'ቶም ሓደስቲ ተጻመድቲ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ መርዓት 736
ዚግበር ጸሎተ ቡራኬን፣ ናይ ኣምላኽ በረኸትን ጸጋታትን ንምልማን ዚግበር ምህለላ መንፈስ ቅዱስን (Epiclesis=ጽዋዔ) ሕልፍን ትርፍን እዩ። ኣብ ናይ'ዚ ምሥጢር'ዚ ምህለላ መንፈስ ቅዱስ፣ እቶም ሰበኺዳን ከም መጠን ናይ ክርስቶስን

[119] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ De virg.10,1 PG 48, 540፣ ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ፡ ስድራቤት FC 16.
[120] ቅዱስ ጉባኤ SC 61 ረአ
[121] ብር.ኣሕ. LG 6 ረአ
[122] 1 ቆሮ 10፡17 ረአ
[123] ስድራቤት FC 67

ቤተክርስትያንን ሱታፌ መንፈስ ቅዱስ ኪቕበሉ ይርከቡ።[124] መንፈስ ቅዱስ እምበኣር ናይ ኪዳኖም ማኅተም እዩ። እዚ ኪዳን'ዚ ከኣ ወትሩ ህልው ዝኾነ ምንጪ ፍቕሮምን፣ ተኣማንነቶም ንምሕዳስ ዜበርትዖምን እዩ።

## III. ኪዳናዊ ሥምረት

**1625** እቶም ኣብ ናይ ኪዳን መውስቦ ዚኣትዉ ወገናት ዝተጠምቀን
1734 ዝተጠምቀትን ሰባት፡ ኮይኖም፣ መውስቦ ንኺፍጽሙ ናጻ ዝኾኑ (ዚዕንቅጾም ዘይብሎም)፣ ሥምረቶም (ድልየቶም) ብናጽነት ዚገልጹ እዮም።

"ናጻ ምዃን"

- ዚግድደካ ተጽዕኖ ዘይብልካ ምዃን፣
- ብዝኾነ ባሕርያዊ ይኹን ናይ ቤተክርስትያን ሕጊ መኸላእታ (ዚዕንቅጽ) ዘይብልካ ምዃን እዩ።

**1626** ኣብ መንጎ'ቶም ሰበኺዳን ዚፍጸም ናይ ሥምረት ሓድሕድ ምልውዋጥ፣
2201 "ንኪዳን ኪዳን ዚገብሮ" ኣገዳስን ኣድላዪን ነገር ምዃኑ ቤተክርስትያን ትቕበሎ።[125] ሥምረት (ድልየት) እንተዘየልቦ፣ ኪዳን ዚበሃል'ውን የልቦን።

**1627** እቲ ሥምረት ድማ፣ "እቶም ተጻመድቲ ንሓድሕዶም ርእሶም ዚወሃሃቡሉ፡ ሰብኣዊ ተግባር" የጠቓልል። "በዓልቲ ኪዳነይ (ሰበይተይ) ክትኮንኒ ኣእትየኪ ኣሎኹ" "በዓል ኪዳነይ (ሰብኣየይ) ክትኮነኒ ኣእትየካ ኣሎኹ"[126]። እዚ ንኽልቲኦም ሰበኺዳን ንሓድሕዶም ዘተኣሳስር ሥምረት (ፍቓድ) ተፍጻሜቱ ዚረክብ ክልቲኦም "ሓደ ሥጋ ኣብ ምዃኖም" እዩ።[127]

**1628** እቲ ሥምረት እንተኾይኑ፡ ናይ ነፍስወከፍ ወገን ናይ ድላዩ ፍረ
1735 ኪኸውን፣ ከምኡ'ውን ካብ ኣስገዳድ ኮነ፣ ብወገን ካልእ ካብ ዚመጽእ ከቢድ ፍርሒ ናጻ ኮይንካ ዚፍጸም ኪኸውን የድሊ።[128] ነዚ ዝዓይነቱ ሥምረት (ድልየት) ዝኾነ ሰብኣዊ ኃይሊ ኪትክኦ ኣይክእልን።[129] እዚ ናጽነት'ዚ እንተደኣ ጐዲሉ፣ እቲ ኪዳን ዘይብቑዕ እዩ።

**1629** በዚ ምኽንያት'ዚ፡ (ወይ ከኣ ብኻልእ፣ ንኺዳን ዘይበቅዕን ዘየሎን ዚገብሮ ምኽንያታት) እቲ ጉዳይ፣ ሥልጣን ብዘለዎ ናይ ቤተክርስትያን ፍሉይ መጋብእያ ብዚግባእ ድሕሪ ተመርሚሩ፣ ቤተክርስትያን ንሓደ ኪዳን የለን

---

[124] ኤፌ 5፡32 ረኣ
[125] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1057 § 1.
[126] ፍሥሓን ተስፋን GS 48 § 1፣OCM 45፣ ሕገቀኖና፣ ቀ. 1057 § 2. ረኣ
[127] ዘፍ 2፡24፣ ማር 10፡8፣ኤፌ 5፡31 ረኣ
[128] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1103 ረኣ
[129] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1057 § 1. ረኣ

ክትብሎ፣ ማለት እቲ ኪዳን'ቲ ፈጺሙ ኣይነበረን (ብብቕዓት ኣይተገብረን)፣[130] ኢላ ክትእውጅ ትኽእል እያ። እዚ ኣዋጅ'ዚ ምስተፈጸመ ከኣ እቶም ተጻመድቲ ዝነበሩ ወገናት፣ ካብ'ቲ ናይ ዝሓለፈ ኪዳን ባሕርያዊ ግዴታታት ተበይኖም፣ ካልእ ኪዳን ኪፍጽሙ ናጻ እዮም።[131]

**1630** ካህን (ወይ ዲያቆን)፣ እቲ ሥርዓት ምሥጢረ ቃልኪዳን ዚመርሕ፣ ነቲ ናይ ሰበኺዳን ሥምረት ብስም ቤተክርስትያን ይቕበሎ፣ ናይ ቤተክርስትያን ቡራኬ ከኣ ይህብ። ናይ'ዚ ላእከ-ቤተክርስትያን ህላዌ (ከምኡ'ውን ናይ'ቶም መሰኻኽር ህላዌ) ሥርዓተ ምሥጢረ ተክሊል(ኪዳን) ናይ ቤተክርስትያን ጕዳይን ኲነትን ምዃኑ ብልግጺ ዜረድእ እዩ።

**1631** ከም ንቡር፡ ምእመናን ብመሠረት ሥርዓት ቤተክርስትያን፡ ሥርዓት ኪዳኖም ዚፍጽሙ ድማ በዚ ምኽንያት'ዚ እዩ። ነዚ ግዴታ'ዚ ዚገልጽ ብዙሕ ምኽንያታት ኪተኣኻኸብ ይከኣል፡-[132]

- ምሥጢረ ተክሊል (ኪዳን) ግብረ ኣምልኾኣዊ ተግባር እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ ሕዝቢ ኣብ ዚጽንበሮ ናይ ቤተክርስትያን ሥሩዕ ግብረ-ኣምልኾ ኪፍጸም ዝበለጸን ግቡእን እዩ። 1069

- ብተክሊል (ኪዳን)፣ ሓደ ሰብ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ሥርዓት የእቱ፤ ኣብ መንጎ'ቶም ሰበኺዳን ኮነ ብመንፅር ውሉዶም፡ ኣብ ቤተክርስትያን ዚፍጽምዎ መሰላትን ግዴታታትን (ግቡኣትን) የስዕብ። 1537

- ተክሊል (ኪዳን) ኣብ ቤተክርስትያን ዚንበር ሕይወት ስለዝኾነ፣ ብዛዕባኡ ርግጽነት ኪህሉ ኣድላዪ እዩ (ስለ'ዚ ኸኣ እዩ መሰኻኽር ኪህልዉ ዘገድድ)።

- እቲ ሥምረት፡ ኣብ ቅድሚ ሕዝቢ ብግልጺ ዝተፈጸመ ምዃኑ፣ ነቲ ሓደ ግዜ ዝተባህለ "እወ ፍቓደይና እየ" ዚብል ውሕስነት ይህቦ፣ ነቶም ሰበኺዳን ከኣ ነዚ እሙናት ኮይኖም ንኺቕጽሉ ይሕግዞም። 2365

**1632** እቶም ሰበኺዳን "እወ፣ ፍቓደይና እየ" ዚብልዎ፣ ናጻን ብምሉእ ኃላፍነት ዚፍጸምን ተግባር ምእንቲ ኪኸውን፣ እቲ ናይ መውስቦ ኪዳን'ውን ነባርን ድልዱልን፣ ሰብኣውን ክርስትያናውን መሠረታት ምእንቲ ኪህልዎስ፣ ንቃልኪዳን ዚግበር ምስንዳው ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ።

ካብ ወገን ወለድን ስድራቤታትን ዚርከብ ኣብነትን ትምህርትን፡ ናይ'ዚ ምስንዳው'ዚ ፍሉይ መልክዕ እዩ።ንስድራቤትን ኪዳንን ዚርኢ ሰብኣውን ክርስትያናውን ትምህርትን ኣብነትን ኣብ ምምሕልላፍ[133] መጠን "ስድራቤት 2206

---

[130] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1095-1107. ረአ
[131] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1071 ረአ
[132] ጉባኤ ትረንቶስ፡ ደንዚንገር DS 1813-1816፣ሕገቀኖና፣ ቀ. 1108 ረአ
[133] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1063 ረአ

ኣምላኽ" ናይ ዚግመት ጓሶት-ነፍሳትን፡ናይ'ታ ማኅበረ-ክርስትናን እጃም ኪተርፍ ዘይግብኦን ዘይከኣልን እዩ። እዚ ኣውራ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ኸኣ በዚ እዋንና እዩ፣ ከመይ'ሲ ብዙኃት መንእሰያት ዘለዎም ናይ ስድራቤቶም ተመክሮ፡ ብፍትሕ ዝተመዛበለን፣ ነቲ ዚድለ ናይ ኪዳን ምስንዳው ውሕስነት ዘይህብን እዩ፦

> ናይ ተዓቅቦ ቊምነገርን ዋጋን ብምርዳእ፡ ኣብ'ቲ ግቡእ ግዜኡ ኣብ ምዕሩግ ምሕዝነት ተጸሚዶም፣ ናብ ናይ ርእሶም መደብ ኪዳን ምእንቲ ኪኣትዉ፣ ልዕሊ ኩሉ ብዛዕባ ናይ ኪዳናዊ ፍቕሪ ክብረትን ዕቤትን፡ ቦታኡን ኣሠራርዓኡን ኣብ ውሽጢ ስድራቤቶም ንመንእሰያት ዚበቅዕን እዋናውን ትምህርቲ ምሃቦም ግዲ እዩ።[134]

## ሕዉስ ኪዳንን፡ ናይ እምነት ፍልልይን

**1633** ኣብ ብዙኃት ሃገራት (ኣብ መንጎ ካቶሊካዊ/ት ወገንን፣ ዝተጠምቀ ዘይካቶሊካዊ/ት ወገንን) ናይ ሕዉስ ኪዳን ኵነታት ይዝውተር እዩ። ብወገን'ቶም ተጻመድቲ ኮነ፡ ብወገን ጓሶቶም ፍሉይ ዝኾነ ጥንቃቐን ኣተኵሮን ዚሓትት እዩ። ኣብ ናይ እምነት ፍልልይ (ዘይተመሳሳልነት) ዜጋጥም ኪዳን (ኣብ መንጎ ካቶሊካዊ/ት ወገንን፣ ዘይተጠምቀ/ት ሰብን) ከኣ ኣዝዩ ልዑል ጥንቃቐ የድልዮ።

**1634** ካብ'ቲ ዝዓበዩሉ ማኅበረ ክርስትናኦም ንዝረኸብዎ ዘበለ ኵሉ ኣብ
817 ሓባር ኣብ ምውዓሉን፣ ኣብ ክርስቶስ ዘለዎም ተኣማንነት ብኸመይ ከምዚነብርዎ ካብ ሓድሕድ ኣብ ምምሃርን ዕዉት ጻዕሪ ከካይዱ ከለዉ፣ ኣብ መንጎ'ቶም ሰበኺዳን ዘሎ ናይ እምነት-ሃይማኖት ፍልልይ፣ ንኪዳን ዚዕንቅጽ ዘይስገር ዕንቅፋት ኪኸውን ኣይክእልን። እንተኾነ እዚ ካብ ሕዉስ ኪዳን ዚፍልፍል ጸገማት ክንድ'ቲ ኣነኣኢስካ ዚረአ ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ክርስትያን ዘሎ ፍልልይ ጋና ዘይተፈወሰ ብምኳኑ ጸገማት የምጽእ። እዞም ሰበኺዳን እምበኣር፡ ኣብ'ታ ውሻጠ ቤቶም ከይተረፈ ነቲ ናይ ክርስትያናዊ ፍልልይ ዜሕዝን ኵነት ኪነብርዎ ይርከቡ። እቲ ኣብ መንጎ ካቶሊካውን ዘይተጠምቀ ወገንን ዚፍጸም እሞ ኸኣ ነቲ ጸገማት ኣዝዩ ዝበኣሰ ይገብሮ። ብዛዕባ እምነት፣ ብዛዕባ ትርጕም ኪዳን ዘሎ ፍልልይ፣ ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ መንፈሳውን ሃይማኖታውን ኣተሓሳስባ፣ ብፍላይ ንትምህርትን መዕበያን ቈልዑ ብዚርኢ ምንጪ ፍልልይን ምጥምማትን ኪኸውን ይርከብ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ ብሃይማኖት ናይ ዘይምግዳስ፣ ኣጓጕል ናይ ምኳን ፈተና ከለዓዕል ይኽእል።

**1635** ኣብ ላቲናዊት ቤተክርስትያን ጸኒዑ ብዘሎ ሕገ-ቀኖና መሠረት፣ ሕዉስ ኪዳን ብያኔ ንኺረክብ ናይ በዓልሥልጣን-ቤተክርስትያን ግልጺ ዝኾነ ፍቓድ የድልዮ።[135] ኣብ'ቲ ናይ እምነት ፍልልይ፣ማለት ምስ ዘይተጠምቀ ወገን ዚግበር ኪዳን፣ ብቑዕን ሕጋውን ምእንቲ ኪኸውን፣ ካብ'ዚ መኸላእታ'ዚ ዜናግፍ

---

[134] ፍሥሓን ተስፋን GS 49 § 3
[135] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1124 ረአ

ግልጺ ዝኾነ ብያኔ ኪወሃብ የድሊ።[136] ክልቲኦም ወገናት ንናይ ኪዳን ዕላማን ባህርያትን፣ ከምኡ'ውን ነቲ ዘይካቶሊካዊ ወገን ከምዝተገልጸሉ፣ እቲ ካቶሊካዊ ወገን እምነቱ ኪዕቅብን፣ ንውሉዱ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ከጠምቕን ከዕብን (ከምህርን) ውሕስነት ንኺህብ ንዘለዎ ግዴታ፣ ኪፈልጡን ከይነጽጉን እቲ ፍቓድ ኮነ ብያኔ ኣቐዲሙ ዚሓቶ ነገር እዩ።[137]

**1636** ኣብ ብዙሕ ወገናት ዚርከቡ ማኅበራት ክርስትያን፣ በቲ መንፈስ 821
ኅብረት (ኤኩመኒዝም) ዝዓዘዞ ዘተ (ዲያሎግ) ኣቢሎም፣ "ናይ ሕዉስ ኪዳን ኅቡር ሓዋርያዊ ተግባር" ኣብ ስራሕ ከውዕሉ ክኢሎም ኣለዉ። ናይ'ዚ ዕማም ከኣ ሰበ'ኺዳን ብብርሃን-እምነት ተሓጊዞም፣ነዚ ፍሉይ ዝኾነ ሃለዋቶም ንኺነብርዎን ምሕጋዝ እዩ። ኣብ መንጎኦም ንዘሎ ሓድሕዳዊ ግዴታን፣ ንማኅበረ ክርስትናኦም ዚርኢ እጃም ኣብ ምዕማም ዚለዓል ወጥሪ ንምህዳእን፣ ነቲ ዘለዎም ናይ ሓባር ጕዳይ-እምነት ንኸዓንብብዎ፣ ንዝፈላልዮም ከኣ ብምክብባር ኪቕበልዎ ይሕግዞም።

**1637** ኣብ'ቲ ናይ እምነት ፍልልይ (ዘይምምስሳል) እቲ ካቶሊካዊ/ት በዓል ኪዳን ፍሉይ ዝኾነ ዕማም ኣለዎ፡ "እቲ ዘየኣምን (ክርስትያን ዘይኮነ) ሰብኣይ ብሰበይቱ ተቐዲሱ እዩ፤ እታ ዘይተኣምን (ክርስትያን ዘይኮነት) ሰበይቲ'ውን በቲ ኃው ተቐዲሳ እያ"[138] እዚ "ተቐድሶት" እዚ፣ ብናጻ ናብ ዚሕቄፍ ናይ'ቲ ሓደ በዓልኪዳን ናብ ክርስትና ምእታው እንተዘብጽሕ፣ ነቲ ክርስትያን በዓል-ኪዳን ዓቢይ ታሕጓስ እዩ።[139] ብቅንዕና ዚተሓዝ ኪዳናዊ ፍቕሪ፣ ትሕትናን ትዕግሥትን ዝመልኡ ናይ ስድራቤት መንፈሳዊ ኃይላት ኣብ ግብሪ ምውዓል፣ ከምኡ'ውን ኣብ ጸሎት ትግሃትን ጽንዓትን (ብወገን'ቲ ኣማኒ)፣ ነቲ ዘየኣምን በዓልኪዳን ናብ ክርስትና ዘእትዎ ጸጋ ንኺረክብ ኪሕግዞ ዚኽእል እዩ።

## IV. ፍረ ምሥጢረ ቃልኪዳን

**1638** "ብግቡእን ብቑዕን ኣገባብ ዝተፈጸመ ኪዳን፣ ኣብ መንጎ'ቶም ሰበ'ኺዳን፡ ብባህሪኡ ነባር ዝኾነን፣ ንኻልእ ኪዳን ዘወግድን ማእሰር ዜፍሪ እዩ። ብተወሳኺ፣ኣብ ክርስትያናዊ ኪዳን፣ እቶም ሰበ'ኺዳን ይበራትዑ፣ ምእንት'ዚ ፍሉይ ዝኾነ ምሥጢር ከኣ[140] ንሃለዋት-ሕይወቶምን ክብረቶምን ዝተመደቡ ወይ ዝተቐደሱ ኮይኖም ይርከቡ።

[136] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1086 ረኣ
[137] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1125 ረኣ
[138].1 ቆሮ 7፡14
[139] 1 ቆሮ 7፡16 ረኣ
[140] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1134 ረኣ

## ማእሰር ኪዳን

**1639** ሰበኺዳን ንሓድሕዶም ዚወሃሃብዎን ዚቕበልዎን ሥምረት ባዕሉ እግዚኣብሔር ዝኅተሞ እዩ።[141] ካብ'ዚ ኪዳኖም ድማ፡ ብመለኮታዊ ሕጊ... ብዓይኒ ኅብረተሰብ'ውን ከይተረፈ ዝረግአ ሓደ ትካል(ተቐዋም) ይፍልፍል።[142] እቲ ኣብ መንጎ ሰበኺዳን ዚፍጸም ኪዳን፣ እግዚኣብሔር ምስ ደቅሰብ ኣብ ዝኣተዎ ኪዳን ተሰኺዑ ይርከብ። "ንጹሕ ኪዳናዊ ፍቕሪ ናብ መለኮታዊ ፍቕሪ ዘተኰረ እዩ"[143]።

**1640** ኪዳናዊ ማእሰር ብኣምላኽ ዝተመደበ ኮይኑ፣ እቲ ኣብ መንጎ
2365 ዝተጠምቁ ሰባት ዝተተኽለን ብግብሪ ዝተፈጸመን ኪዳን ኪፍታሕ ዘይከኣል እዩ።
እዚ ኪዳናዊ ማእሰር'ዚ ካብ'ቲ ብናጽነት ዝተገብረ ናይዞም ሰበኺዳን ሰብኣዊ
ተግባርን፣ ነዚ ኪዳኖም ኣብ ግብሪ ካብ ምፍጻምን ዚፍልፍል እዩ፤ ስለዚ ክዉን
ነገር ኮይኑ ንድሕሪት ዘይምለስ፣ ብእምነት-ኣምላኽ ውሕስነት ንዝረኸበ ኪዳን
ዘዘኻኽር እዩ። ቤተክርስትያን ድማ፡ ነዚ ብመለኮታዊ ጥበብ ዝተመደበ ክትፃረር
ሥልጣን የብላን።[144]

## ጸጋ ምሥጢረ-ተክሊል

**1641** "በቲ ኣብ ሕይወት ዘለዎም ኵነታትን፣ ብዝሓዝዎ ሥርዓትን ምኽንያት፣ (ክርስትያን ሰበኺዳን) ኣብ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ናቶም ፍሉይ ህያባት ኣለዎም"።[145] እዚ ናይ ምሥጢረ ኪዳን (ተክሊል) ፍሉይ ዝኾነ ጸጋ ዕላማኡ፡ ንናይ'ቶም ተጻመድቲ ፍቕሮም ፍጹም ንምግባርን፣ ነቲ ዘይንጸል (ዘይፍለ) ሓድነቶም ንምብርታዕን እዩ። በዚ ጸጋ'ዚ ገቢሮም ከኣ፣ "ኣብ ኪዳናዊ ሕይወቶም ቅድስና ኪጭብጡ፣ ንውሉዶም ኪቕበሉን፣ ብዚግባእ ከዕብዩዎምን፡ ንሓድሕዶም ይተሓጋገዙ"።[146]

**1642** ናይ'ዚ ጸጋ'ዚ ምንጪ ክርስቶስ እዩ። "ኣቐዲሙ እግዚኣብሔር
1615 ንሕዝቡ፣ ብናይ ፍቕርን ተኣማንነትን ኪዳን ከምዝተራኸቦም፣ እቲ ንቤተክርስትያን
796 መርዓዊኣ ዝኾነ መድኃኒና ድማ ሕጂ ነቶም ክርስትያን ሰበኺዳን በዚ ምሥጢረ
ተክሊል ገቢሩ ይራኸቦም።"[147] መስቀሎም ጸዊሮም ንኪኽተልዎ፣ ምስወደቑ
ከምበሓዲሽ ንኪትንሥኡ፣ ንሓድሕዶም ምእንቲ ኪመሓሓሩ፣ ናይ ሓድሕድ
ሸከም ምእንቲ ኪጸዋወሩ፣ "ብፍርሓት ክርስቶስ ንሓድሕዶም ምእዙዛት ምእንቲ

---

[141] ማር 10፡9 ረአ
[142] ፍሥሓን ተስፋን GS 48 § 1
[143] ፍሥሓን ተስፋን GS 48 § 2
[144] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1141 ረአ
[145] ብር.ኣሕ. LG 11 § 2.
[146] ብር.ኣሕ.LG 11 § 2፣ብር.ኣሕ. LG 41 ረአ
[147] ፍሥሓን ተስፋን GS 48 § 2.

ኪኾኑ"[148]፣ ከምኡ'ውን በቲ ርኅሩኅን ፍረ ዝመልኦን መልዕልተ-ባሕርያዊ፡ ፍቕሪ ንሓድሕዶም ምእንቲ ኪፋቐሩ፣ ክርስቶስ ምስኦም ይነብር፣ ኃይልን ብርታዐን ይህቦም። በቲ ካብ ፍቕሮምን ስድራቤቶምን ዚረኽብዎ ፍቕሪ፣ ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ከለዉ ካብ'ቲ ናይ በጊዑ በዓል-መርዓ መቐረቱ የጥዕሞም።

> ናይ'ዚ ብቤተክርስትያን ዝተኣሰረ ኪዳን፣ ብመሥዋዕቲ ዝደልደለ፣ ብቡራኬ ዝተኅተመ፣ ብመላእኽቲ ዝተበሠረ፣ ብእግዚኣብሔር ዝጸደቐ ኪዳን ታሕጓስሲ ብኸመይ ክገልጸ ምኽኣልኩ!!... እዚ ኣብ መንጎ'ዞም ክልተ ኣመንቲ ዘሎ ማእሰርሲ ክንደይ ዘደንቕ እዩ!! እነሆ ሕጂ ኣብ ሓንቲ ተስፋ፣ ኣብ ሓንቲ ባህጊ፣ ኣብ ሓንቲ መሥርዕ-ሕይወት፣ ኣብ ሓንቲ ኣገልግሎት ተጸሚዶም! ክልቲኦም ደቅ'ቲ ሓደ ኣቦ፣ ኣገልገልቲ ሓደ ጐይታ፣ ብሥጋን ብመንፈስን ፈጺሞም ዘይነጻጸሉ፣ ክልተ ክነሶም ብሓቂ ኣብ ሓደ ሥጋ ዝሓበሩ እዮም። እቲ ሥጋ ሓደ ኣብ ዝኾነሉ፣ ሓደ መንፈስ እዩ ዘሎ።[149]

## V. ንኪዳናዊ ፍቕሪ ዜድሊ ነገራትን፡ ረብሓታትን

**1643** ኪዳናዊ ፍቕሪ ኪበሃል ከሎ ንኹሉ ምልኣት ዘጠቓልል እዩ። ኣብኡ 2361
ናይ ሓደ ሰብ ኩሉ መዳያቱ፣ ናይ ሥጋዊ ኣካሉ ዝንባሌን ድፍኢትን፣ ናይ ስምዒትን ፍቕራዊ ቅርበትን፣ ናይ መንፈስካን ድላይካን ባህጊ ተሓቝፉ ይርከብ። ዕላማኡ ከኣ ዓሚቝ ሰብኣዊ (ኣካላዊ) ሓድነት እዩ። እዚ ሓድነት'ዚ ክንየው'ቲ ሓድነት-ሥጋ ብምኻድ ሓደ ልብን ሓደ መንፈስን ናብ ምቛም ዚመርሕ እዩ። ኣብ ሓደ ወሳኒ ዝኾነ ሓድሕዳዊ ወፈያ ከኣ፡ ፍትሕ ዘየፍቅድ ተኣማንነት ዚሓትት እዩ። ንፍርየት ከኣ ስንድው እዩ። ብሓጺሩ ናይቲ ልሙድን ሥሩዕን ዝኾነ ናይ ባሕርያዊ ኪዳናዊ ፍቕሪ ጠባያት ዚረኣዮ'ኻ እንተኾነ፣ ነዚ ጠባያት'ዚ ዘመጻርን ዜደልድልን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ናይ'ቲ ፍሉይ ክርስትያናዊ ቍምነገር መግለጺ ክሳብ ምኳን፡ ብሓዲስ ትርጕምን ርድኢትን ክብ ከብሎ ተረኺቡ እዩ።"[150]

### ናይ ኪዳን ሓድነትን፣ ዘይፍታሕ ኲነትን

**1644** እቲ ናይ ሰበኺዳን ፍቕሪ፡ ብባሕሪኡ ናይ'ቶም ሰበኺዳን ኅብረት ዘይፍታሕ ኲነትን ሓድነትን ዚሓትት እዩ። "ደጊም ሓደ ኣካል እምበር ክልተ ስለዘይኮኑ"[151] ከኣ እዚ ሓድነት'ዚ ንምሉእ ሕይወቶም ዘጠቓልል እዩ። "ንዝኣተዉዖ ቃልኪዳኖምን፣ ነቲ ሓድሕዳዊ ኩለንትናዊ ርእሰ-ወፈያኦምን መዓልቲ-መጸ እሙናት ኮይኖም ብምርካብ፣ ኣብ'ቲ ሱታፌኦምን ኅብረቶምን

---

[148] ኤፌ 5፡21፣ ገላ 6፡2
[149] ተርቱሊያን Ad uxorem. 2, 8, 6-7፡ PL 1, 1412-1413፣ስድራቤት FC 13 ረአ
[150] ስድራቤት FC 13
[151] ማቴ 19፡6፣ ዘፍ 2፡24 ረአ

ቀጺሎም ንኪዓብዩ ተጸዊዖም እዮም።”[152] እዚ ሰብኣዊ ሱታፌን ኅብረትን ድማ በቲ ብምሥጢረ ተክሊል ዚወሃብ ጸጋ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ብዚርከብ ሱታፌ ተመጻርዩን ተመሊኡን ይርከብ። በቲ ናይ ሓባር እምነት-ሕይወቶምን፡ በቲ ናይ ቅዱስ ቍርባን ናይ ሓባር ሱታፌኦምን ከኣ ኣጸቢቑ ይምዕብልን ይድልድልን።

1645 “እቲ ብጐይታና ዝተገልጸን ዝተረጋገጸን ሓድነት-ኪዳን፣ ደረት 369 ብዘይብሉ ሓድሕዳዊ ስምዒት፣ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ዚወሃሃብዎ ማዕረ ዝኾነ ሰብኣዊ ክብሪ ኣጸቢቑ ይንጸር።[153] ብዝኅተ-ኣንስት (Polygamy = ብሓደ ግዜ ብዙሓት ምእታው) ነቲ ዘይመቓቐልን ቀናእን ዝኾነ መደብ ኪዳናዊ ፍቕሪ ዚፃረር እዩ።[154]

## 2364-2365 ተኣማንነት ኣብ ኪዳናዊ ፍቕሪ

1646 ኪዳናዊ ፍቕሪ ብባሕሪኡ፣ ናይ'ቶም ሰበ'ኺዳን ዘይገሃስ ተኣማንነት የሓትት እዩ። እዚ ኸኣ ንሓድሕዶም ናይ ዝገበርዎ ምውህሃብን ወፈያን ውጽኢት እዩ። ፍቕሪ ብመሠረቱ ወሳኒት ክትኸውን ትደሊ። “ክምዚ እንተኾነ ወይ ከምቲ” ዚብል ውዕሊ ኣይትጽበን እያ። “እቲ ናይ ኪዳን ዓሚቝ ሓድነት፣ ነቶም ውሉድ'ውን ረብሓ ከም ምዃኑ መጠን፣ ብወገን'ቶም ሰበ'ኺዳን ነቕ ዘይብል ፍጹም ተኣማንነትን፣ ኣብ መንጎኦም ዘይስበር ሓድነትን ኪሓትት ይርከብ።”[155]

1647 እቲ ዝዓመቔን ዝረቐቐን ምኽንያት (መሠረት) ድማ እግዚኣብሔር ንኺዳኑ እሙን ኣብ ምዃኑን፣ ክርስቶስ'ውን ንቤተክርስትያኑ እሙን ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉን እዩ ዘሎ። ብምሥጢረ ተክሊል (ኪዳን) ከኣ ሰበ'ኺዳን ነዚ ተኣማንነት'ዚ ኪውክሉን፡ ነኣኡ ኪምስክሩን ኃይሊ ይረኽቡ። በቲ ምሥጢር ድማ፡ እቲ ናይ ኪዳን ዘይፍታሕ ምዃኑ ሓዲሽን ዓሚቝን ትርጕም የልብሶ።

1648 ንምሉእ ሕይወትካ ርእስኻ ምስ ካልእ ሰብ ጸሚድካ ክትካየድ፣ ጽንኩር ጥራሕ ዘይኮነ ዘይከኣል (ዘይውጻእ) ይመስል ይኸውን። እንተኾነ እግዚኣብሔር ብናይ መወዳእታን ዘየዳግምን ፍቕሪ የፍቅረና እዩ፣ ንዚብል ጥዑም ዜና ምብሣር፣ ነዚ ኣገዳሲ ይገብሮ። እዚ ጥዑም ዜና'ዚ ከኣ፣ ሰበ'ኺዳን ኣብ'ቲ ፍቕር'ቲ ከምዚሳተፉ፣ ከምዚጾሮምን ከምዘጽንዖምን፣ ከምኡ'ውን በቲ ተኣማንነቶም ንናይ እግዚኣብሔር እሙን ፍቕሩ መሰኻኽር ኪኾኑ ከምዚኽእሉን ዘበሥር እዩ። ኣብ ጽንኩር ኵነታት ኮይኖም፣ ብጸጋ-ኣምላኽ ተሓጊዞም ነዚ ምስክርነቶም ዚህቡ ሰበ'ኺዳን፣ ናይ'ታ ማኅበረ-ክርስትና ምስጋናን ደገፍን ዚግበኦም እዮም።[156]

---

[152] ስድራቤት FC 19.
[153] ፍሥሓን ተስፋን GS 49 § 2.
[154] ስድራቤት FC 19.
[155] ፍሥሓን ተስፋን GS 48 § 1.
[156] ስድራቤት FC 20. ረአ

**1649** እንተኾነ ግን፣ ብግብራዊ ኣከያይዳ ክትርእዮ ከሎኻ፣ ብብዙሕ 2383
ምኽንያታት ብሓንሳብ ምንባር ዘይከኣለሉ ኵነታት ይርከብ እዩ። ኣብ ከም'ዚ
ዝበለ ጕዳያት፣ እቶም ሰበኺዳን ግዙፍ ምፍልላይ ኪፍጽሙ፣ በብወገኖም
ኪነብሩ ቤተክርስትያን ከተፍቅድ ትርከብ። እዞም ሰበኺዳን'ዚኦም ኣብ ቅድሚ
ኣምላኽ፣ ሰብኣይን ሰበይትን ምኻኖም ጋና ኣየቋርጹን፣ ስለዚ ኸኣ ካልእ ሓዲሽ
ኪዳን ኪፍጽሙ ኣይክእሉን፤ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ጽንኩር ሃለዋት፣ ኪከኣል ከሎስ፣
እቲ ዝበለጸ ፍታሕ ዕርቂ ምኾነ። ኸምዚኦም ዝበሉ ሰባት ነቲ ሃለዋቶም
ብክርስትያናዊ ኣገባብ ንኺነብሩዎ፣ ነቲ ጋና ዘይፍታሕ ማእሰር ኪዳኖም'ውን
ብተኣማንነት ኪምስክርዎ፣ እታ ማኅበረ ክርስትና ክትሕግዞም ተጸዊዓ እያ።[157]

**1650** ብሲቪላዊ መንገዲ ፍትሕ ፈጺሞም፣ ከምኡ ብሲቪላዊ መንገዲ 2384
ሓዲሽ መውስቦ ዚፍጽሙ ብዙኃት ካቶሊካውያን፡ በዚ ሎሚ ኣብ ብዙኃት
ሃገራት ይርከቡ እዮም። "እቲ ሰበይቱ ፈቲሑ ካልእ ዜእቱ፣ ኣብ ልዕሌኣ
ይዝሙ። እታ ሰብኣያ ፈቲሓ ካልእ እተእቱ ድማ ትዝሙ"[158] ንዚብል ቃላት
ኢየሱስ ክርስቶስ ብተኣማንነት ብምሕላው፣ እቲ ዝቐደመ ብቑዕ ኪዳን ኣብ
ዝኾነሉ፣ እቲ ዚግበር ካልእ ሓዲስ ብቕዓት ኪህልዎ ከምዘይክእል ቤተክርስትያን
ብጽኑዕ ተረጋግጽ።እቶም ዝተፋትሑ ብሲቪላዊ ኣገባብ እንተደኣ ካልእ መውስቦ
ፈጺሞም፣ ብቐጥታ ንሕጊ-እግዚኣብሔር ኣብ ዚፃረር ሃለዋት ይርከቡ ኣለዉ
ማለት እዩ። እዚ ኵነታት'ዚ ከምኡ ኢሉ ክሳብ ዝቐጸለ ከኣ፣ ከም ሳዕቤኑ ቅዱስ
ቍርባን ኪቕበሉ ኣይክእሉን። በዚ ምኽንያት'ዚ እውን ኣብ ገሊኡ ናይ
ቤተክርስትያን መዝነታት ኪሳተፉ ኣይፍቀደሎምን። ብምሥጢረ ንስሓ (ኑዛዜ)
ዚርከብ ዕርቂ ኪፍጸመሎም (ኪወሃቦም) ዚከኣል፣ ነቶም ንምልክት-ኪዳንን
ተኣማንነት-ክርስቶስን ብምጥሓሶም ዝተጣዕሱን፣ ኣብ ፍጹም ተዓቅቦ ኪነብሩ
ንዝወሰኑን ጥራሕ እዩ።

**1651** ዝተጠምቁ ከም ምኻኖም መጠን ኣብ ሕይወት-ቤተክርስትያን
ተሳተፍቲ ኪኾኑ ዚኽእሉን ዚግበኦምን ኵሎም፣ ካብኣ ዝተነጸሉ ኮይኖም
ምእንቲ ከይስመዖም፣ ብመንፅር'ቶም ኣብ'ዚ ኵነታት'ዚ ዚነብሩን፣ ወትሩ ከኣ
ነታ እምነት ብምዕቃብ፡ ብክርስትያናዊ ኣገባብ ውሉዶም ከዕብዩ ዚብህጉን፣
ወገነ-ክህነትን መላእ ማኅበርን ጥንቁቕ ዝኾነ ኀልዮት ክርእዩ ይግባእ፡-

> *ቃል-ኣምላኽ ንምስማዕ፣ ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ ንምስታፍ (ንኽቐድሱ)፣ ኣብ ጸሎት ንኺተግሁ፣ ኣብ መደባት ግብረ ሠናይን ማኅበራዊ ናይ ፍትሒ ጻዕርታትን እጃሞም ንኽበርክቱ፣ውሉዶም ብእምነት ክርስትና ንኺኹስኩሱ፣ ናይ ንስሓ መንፈስን ተግባራትን ንኽንቀሳቐሱ'ሞ መዓልቲ-መጸ ጸጋ-ኣምላኽ ንኺምህለሉ ኪተባብዑ ይግባእ።*[159]

[157] ስድራቤት FC 83፣ሕገቀኖና፣ ቀ. 1151-1155 ረኣ
[158] ማር 10፡11-12
[159] ስድራቤት FC 84

## 2366-2367 መደብ ፍርየት ብልቢ ምቕባል (ውሉድ ምፍራይ)

**1652** *ሥርዓት መውስቦን ኪዳናዊ ፍቕርን ብባሕሪኡ ውሉድ ንምፍራይን፡ ብዚግባእ ንምዕባዮምን ዝዓለመን፣ ኣብ'ዚ ክልቲኡ ከኣ ናይ ክብሪ ኣኽሊሉ ዚረክብን እዩ፡-*[160]

372 *ውሉድ ናይ ኪዳን ዝለዓለ ህያብ ኮይኖም፣ ብዓቢኡ'ውን ንረብሓ'ቶም ወለዲ ኣበርክቶ ዘለዎም እዮም። ኣምላኽ ከኣ "ሰብኣይ በይኑ ኪነብር ጽቡቕ ኣይኮነን" በለ "ካብ መዠመርያ ተባዕታይን ኣንስተይትን ገቢሩ ፈጠሮም፣ ብፍሉይ መንገዲ ኣብ'ቲ ናቱ ናይ ፈጣሪነት ክእለቱ ከሳትፎም ስለዝደለየ ከኣ፣ በቲ "ፍረዩን ተባዝሑን" ዚብል ቃላቱ፣ ኣምላኽ ንሰብኣይን ነታ ሰበይትን ባረኾም። ምእንት'ዚ ከኣ፡ ነቲ ካልእ ወገን ዕላማታት ኪዳን ዕሽሽ ከይበልካ፣ እቲ ቅኑዕን ኡነተይናን ዝኾነ ኪዳናዊ ፍቕርን፡ ካብኡ ዚፍልፍል ናይ ስድራቤታዊ ሕይወት መላእ ሥርዓትን ዕላማኡ፣ እቶም ሰበኺዳን ዕለተ ዕለት በኣኣቶም ኣቢሉ ንስድራቤቱ ከብዝሕን ከደልድልን ምስዘለዎ ፈጣርን መድኃንን ብጅግንነት ከምዚተሓበበሩ ምግባር እዩ።*[161]

**1653** እቲ ናይ ኪዳናዊ ፍቕሪ ፍርየት፣ ብመደብ መዕበያ፡ ወለዲ ናብ
2231 ውሉዶም ከመሓላልፍዎ ዘለዎም፣ ሞራላዊ-መንፈሳዊ-መልዕልተ ባሕርያዊ ሕይወት ናብ ዚህቦ ፍርየት ዚበጽሕ እዩ። እቶም ቀንድን ቀዳሞትን ናይ ውሉዶም መምህራን ወለዲ እዮም።[162] በዚ ርድኢት'ዚ ናይ ኪዳንን ስድራቤትን መሠረታዊ ዕማም ኣብ ኣገልግሎት-ሕይወት ምውዓል እዩ።[163]

**1654** ፈጣሪ ውሉድ ዘይዓደሎም ሰበኺዳን'ውን እንተኾኑ፡ ብሰብኣውን ክርስትያናውን ዓይኒ ተጠሚቱ፣ ምልኣት-ትርጉም ዘለዎ ኪዳናዊ ፍቕሪ ኪህልዎም (ከስተማቕሩ) ይከኣል እዩ። እዚ ናቶም ኪዳን ድማ፡ ብመደባት ግብረ-ሠናይን፡ ኣፍቅሮ-ነግድን (ጋሻ) ብናይ መሥዋዕትነትን ፍርየት ከንጸባርቕ ይኽእል።

# VI. ስድራቤታዊት ቤተክርስትያን

**1655** ክርስቶስ ኣብ'ታ ናይ ዮሴፍን ማርያምን ቅድስቲ ስድራቤት ሑቕፎ
759 ኪውለድን ኪዓብን መረጸ። ቤተክርስትያንሲ፡ ካብ "ስድራቤት ኣምላኽ" ሓሊፋ ብኻልእ ኣይትፍለጥን። ካብ ፈለማ ኣትሒዙ ከኣ እቲ ናይ ቤተክርስትያን ቀንዲ ሕመረት በቶም "ምስ ስድራቤቶም" ኣመንቲ ዝኾኑ ዝቖመ እዩ።[164] ናብ ክርስትና ምስኣተዉ "እቲ መላእ ስድራቤቶም'ውን" ኪድኅን ኣለዎ ዚብል ባህጊ

---

[160] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 48 § 1፣50
[161] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 50 § 1፣ *ዘፍ* 2፡18፣*ማቴ* 19፡4፣*ዘፍ* 1፡28 *ረአ*
[162] *ሥነ መዕበያ* GE 3
[163] *ስድራቤት* FC 28 *ረአ*
[164] *ግ.ሓ* 18፡8 *ረአ*

ኣጎደሩ።[165] እዞም ኣመንቲ ስድራቤታት፣ ኣብ መንጎ'ቲ ናይ ዘየኣምኑ ባሕሪ-ዓለም ደሴታት ኮይኖም ይርከቡ።

**1656** ኣብ'ዚ እዋንና ብመንፅር እምነት፣ጓና ምዃን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ተጻይ-እምነት ኣብ ዝኾነሉ ዓለም፤ በቶም ኣመንቲ ዝኾኑ ስድራቤታት፡ ናይቲ ሕያው ኣንጸባራቒ እምነት ማእከል ወይ ምንጪ ምዃኖም ብቐዳምነት ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ፡ ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ ሓደ ጥንታዊ ብሂል ተጠቒሙ፣ ንስድራቤት "ስድራቤታዊት ቤተክርስትያን" ይብላ።[166] ወለዲ ድማ "ብመንፅር ደቆም ብቓልን ብኣብነትን... ቀዳሞት መስፋሕቲ (መበሠርቲ) እምነት ኮይኖም ዚርከቡ" ኣብ ሑቐፎ ስድራቤት እዩ። ብፍሉይ መንገዲ ንኹሉ መንፈሳዊ ጸዋዕታ ብምምዕባል፣ ነፍስወከፍ ውሉድ ነቲ ዘለዎ መጸዋዕታ ምእንቲ ኪሕሉ፣ ኣብ ጸዋዕታ ከተባብዕዎ ይግባእ።"[167] 2204

**1657** ኣቦ-ስድራ፣ ኣደ-ስድራ ከምኡ'ውን ውሉድን፡ ኵሎም ኣባላት ስድራቤትን፣ "ምሥጢራት ብምቕባል፣ ብጸሎትን ምስጋናን፣ ብምስክርነት ቅዱስ ሕይወትን፣ ብምናኔ-ርእስን፣ ብንጡፍ ግብረ-ሠናይን"[168] ነቲ ብጥምቀት ዝለበስዎ ክህነት ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ዚኽእሉ፡ ኣብ'ዛ ስድራቤታዊት ቤተክርስትያን እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ ስድራቤት፡ ናይ ክርስትናዊ ሕይወት ቀዳመይቲ ቤት ትምህርቲ፣ "ሰብኣዊ ብስለት እትመሃረላ እያ"[169]። ኣብ ትዕግሥትን ጽንዓትን፣ ብታሕጓስ ዚፍጸም ስራሕን፣ ጎውነታዊ ፍቕሪ፣ ርኅራኄን ልግሥን፣ ዚደጋገም'ውን ይኹን ይቕረታን ምሕረትን፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ብጸሎትን ብናይ ሕይወት ወፈያን ዚፍጸም መለኮታዊ ኣምልኾ ትመሃር። 1268 2214-2231 2685

**1658** ነቶም ብዙሕ ዝቕጽሮም፣ ንውልቆም (በይኖም) ዚነብሩ ሰባት'ውን ክንዝክር ይግበኣና። እዚኣቶም ብዚበዝሕ ብምርጫኦም ዘይኮነ፣ በቲ ፍሉይ ኵነታቶም ዚኣክል ናብ ልቢ-ኢየሱስ ዝቐረቡ ኮይኖም፣ ናይ ቤተክርስትያን ብፍላይ ከኣ ናይ ጓሶት-ነፍሳት ፍሉይ ፍቕርን ክንክንን ንጡፍ ጎልዮትን ዜድልዮም እዮም። ብዙኃት ብሰንኪ ድኽነት ዚኣክል ሰብኣዊት ስድራቤት ከይተኸሉ ዝተረፉ እዮም። ገሊኣቶም ነዚ ሃለዋት'ዚ ብመንፈስ ኣንቀጸ-ብፅዕና ንኣምላኽን ንብጻዮምን ብኣብነታዊ ኣገባብ እናገልገሉ ይነብርዎ። ነዞም ሰባት እዚኣቶም፣ ናይ ስድራቤታትን ናይ'ተን "ስድራቤታዊት ቤተክርስትያን" ዝተሰምያን ኣባይቲ መዓጹ፣ ከምኡ'ውን ዓባይ ስድራቤት ናይ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን መዓጹ ኪኽፈተሎም ይግባእ። "ኣብ'ዚ ዓለም'ዚ ስድራቤት ዘይብሉ 2231 2233

---

[165] ግ.ሓ 16፡31፣ግ.ሓ 11፡14 ረአ
[166] ብር.ኣሕ. LG 11፣ ስድራቤት FC 21.
[167] ብር.ኣሕ. LG 11
[168] ብር.ኣሕ. LG 10
[169] ፍሥሓን ተስፋን GS 52 § 1

የልቦን። ቤተክርስትያን ድማ ንዅሉ ብፍላይ ከኣ "ንቶም ዚጽዕሩን ጾር ዝኸበዶምን" እትበቅዕ ቤትን ስድራቤትን እያ።[170]

## ብሓጺር

1659 ቅዱስ ጳውሎስ እንኪጽሕፍ "ኣቱም ሰብኡት፡ ከም'ቲ ክርስቶስ ንቤተክርስትያን……ዘፍቀራ ነንስትኹም ኣፍቅርወን።….እዚ ምሥጢር'ዚ ዓቢይ እዩ።ኣነ ግና ብኽርስቶስን ብቤተክርስትያንን እምስሎ ኣሎኹ" ይብል። (ኤፌ.5፡25.32)

1660 ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ንሓድሕዶም ዓሚቝ ናይ ሕይወት ሱታፌን ፍቕርን ዚምሥርቱሉ ናይ መውስቦ ኪዳን፣ ምስ'ቲ ኵሉ ነኣኡ ዚርኢ ፍሉይ ሕግታት ብፈጣሪ ዝተተኽለን ዝተጻገወን እዩ። ብባሕሪኡ ከኣ ንረብሓ'ቶም ተጻመድቲ ዝተሠርዐ፣ ከምኡ'ውን ውሉድ ንምፍራይን ንምዕባይን ዝዓለመ እዩ። ክርስቶስ ጐይታ ድማ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ዝተጠምቁ ዚፍጸም ኪዳን ናብ ናይ ምሥጢር መዓርግን ክብርን ክብ ኣቢልዎ። (ሕገቀኖና CIC, Can. 1055 § 1; . ፍሥሓን ተስፋን GS,48 §1 ረኣ)

1661 ምሥጢረ ተክሊል-ኪዳን ነቲ ኣብ መንጎ ክርስቶስን ቤተክርስትያንን ዘሎ ሓድነት የመልክት። ክርስቶስ ንቤተክርስትያኑ ብዘፍቀረሉ ፍቕሪ ንሓድሕዶም ንኺፋቐሩ፣ ንሰበኺዳን ጸጋ ይዕድሎም። እዚ ናይ ምሥጢረ ተክሊል ጸጋ እምበኣር ንናይ'ቶም ሰበኺዳን ሰብኣዊ ፍቕሪ ፍጽምና ይህቦ፣ ነቲ ዘይንጸል ሓድነቶም የጽንዖ፣ ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ገጾም ኣብ ዚገብርዎ ጕዕዞ ይቕድሶም። (ጉባኤ ትረንቶስ ደንዚንገር DS 1799 ረኣ)

1662 (ቃል) ኪዳን ኣብ ናይ ተጻመድቲ ወገናት ሥምረት ዝተመሥረተ እዩ። እዚ ማለት ከኣ፣ ሓደ ነቲ ካልእ ርእሱ ከወፊ፣ እምነትን ፈራዪ ፍቕርን ኣብ ዝዓዘዞ ኪዳን ምእንቲ ኪነብሩ፣ ወሳንን ሓድሕዳውን ዝኾነ ርእሰ-ወፈያ ንኽርእዩ ዘለዎም ሥምረት እዩ።

1663 ኪዳን ነቶም ተጻመድቲ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ዚነብርዎ ግልጽን ወግዓውን መደብ ስለዘትሕዞም፣ ኣፈጻጽማ ስነሥርዓት ቃልኪዳን ድማ ከምኡ ብወግዒ ብሥርዓት፡ ኣብ'ቲ ግብረ-ኣምልኾኣዊ መደብ ዚካየደሉ፣ኣብ ቅድሚ ካህን (ወይ ካልእ ብቤተክርስትያን ዝተመዘዘ ምስክር) ኣብ ቅድሚ መሰኻኽርን ጉባኤ ምእመናንን ኪፍጸም ዝበለጸ እዩ።

[170] ስድራቤት FC 85፣ማቴ 11፡28 ረኣ

1664 ሓድነት ኪዳን ዘይፍታሕ ምዃኑ፣ ንውሉድ ስንድው ቅሩብ ምዃንን፣ እዚ ኹሉ ንኪዳን ኣገዳስን ቀንድን ዝኾነ ነገራት እዩ። ብዝኀተ-ኣንስት (Polygamy) ንሓድነት-ኪዳን ዚፃረር እዩ፤ ፍትሕ ድማ ነቲ እግዚኣብሔር ዝጸንበሮ ምፍላይ ማለት እዩ። ፍርየት ምንጻግ ከኣ ንኪዳናዊ ሕይወት ካብ'ቲ "ዝዓበየ ህያብ" ማለት ካብ ውላድ ምርሓቑ ማለት እዩ። (ፍሥሓን ተስፋን GS. 50§1)

1665 ብሕይወት ካብ ዘሎ ሕጋዊ በዓልኪዳን (በዓልቲ ኪዳን) ተፋቲሖ ዚነብር ሰብ ካልእ መውስቦ ኪፍጽም ከሎ፡ ነቲ ብኽርስቶስ ዝተዋህቦ፣ ንመደብ ኣምላኽን ሕጉን ዚርኢ ትምህርቲ ኪጥሕስ ይርከብ። ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት ካብ ቤተክርስትያን ዝተነጸሉ ኣይኮኑን፣ ግና ቅዱስ ቍርባን ኪቕበሉ ኣይክእሉን፤ ብፍላይ ከኣ ንውሉዶም ብኽርስትያናዊ መዕበያ እናተኸናኸኑ ንእምነቶም ኪነብርዋ ይኽእሉ።

1666 ሕፃናት ፈለማ ብሥራት-እምነት ዚቕበሉላ እታ ክርስትያናዊት ስድራቤት እያ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ እዛ ስድራቤታዊት ቤት "ስድራቤታዊት ቤተክርስትያን" ናይ ጸጋን ጸሎትን ማኅበር፣ ናይ መንፈሳዊ ኃይላትን ክርስትያናዊ ፍቕርን ቤትምህሮ ተባሂላ ኣላ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ካልእ ግብረ-ኣምልኾኣዊ ሥርዓታት

## ኣንቀጽ 1
## ምሥጢራት-መሰል (SACRAMENTALS)

**1667** “ኣዴና ቅድስት ቤተክርስትያን፣ ምሥጢራት-መሰል እውን ሠሪዓ ኣላ። እዚ ኸኣ መንፈሳዊ ምልክታት ወይ ትእምርታት ኮይኑ፡ ንምሥጢራት ዚመስል መልክዕን መሥርዕን ዝሓዘ እዩ። ፍሉይ መንፈሳዊ ባሕርይ ንዘለዎ፡ ብኣማልድነት ቤተክርስትያን ንዚርከብ መንፈሳዊ ፍረ የመልክት። በኣኡ ኣቢሎም ሰባት ዜድሊ ምስንዳው ብምፍጻም፣ ነቲ ናይ ምሥጢራት ቀንዲ ፍረ ይረኽቡ፣ ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ናይ ሕይወቶም ኵነታት በዚ ምሥጢራት-መሰል ኪቕደስ ይርከብ።”[1]

### ምሥጢራት-መሰል፣ ባሕርያት/ጠባያት

**1668** ምሥጢራት-መሰል ዝተሠርዐ፣ገሊኡ ናይ ቤተክርስትያን ኣገልግሎትን
699 (ተልእኮት)፣ መደባት ሕይወትን፣ ኣብ ሕይወት-ክርስትና ዘሎ ዝተፈላለየ ብዙኅ
2157 ኵነታትን፡ ምእንቲ ኪቕደስን፣ ንሰብ ዚሕግዝ ነገራት ምእንቲ ኪህሉን እዩ።
ብናይ ኣቡናት (ጳጳሳት) ሓዋርያዊ ውሳኔ ተመሪሑ ከኣ፣ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ናይ ዚርከብ ሕዝበ-ክርስትያን፣ ነቲ ናይ ግዜኡ ግድነትን፣ ናይ ባህልን ሕንጻተሰብ ኵነታትን፣ ታሪኻዊ ሃለዋትን ዚሰማማዕ ኣገልግሎት የበርክት። ወትሩ ግዜ ብጸሎት ዚፍጸም እንኪኸውን፣ እቲ ጸሎት ድማ፡ ከም ኣንብሮተ-እድ ወይ ትእምርተ (ምልክት) መስቀል፣ ወይ ከኣ ብማይጸሎት ምንጻግ (ጥምቀት ዜዘኻኽር) ብዝበለ ፍሉይ ምልክታት ዝተሰነየ እዩ።

**1669** እዚ ምሥጢራት-መሰል ምንጩ እቲ ብጥምቀት ዚልበስ ክህነት እዩ።
784 ነፍስወከፍ ዝተጠመቐ ሰብ፡ “ቡራኬ” ኪኸውን፣ “ንኪባርኽ” እውን ተጸዊዑ እዩ።[2]
2626 ምእንት'ዚ ከኣ ኣብ ገሊኡ ሥርዓተ-ቡራኬ ምእመናን ሕዝባውያን'ውን ኪመርሑ
ይኽእሉ። ሓደ ሥርዓተ-ቡራኬ ንቤተኽርስትያን ዚግድስን፡ ነቲ ናይ ምሥጢራት

[1] ቅዱስ ጉባኤ SC 60፣ሕገቀኖና፣ ቀ.1166፣ሕገቀኖና ምሥ.ቀ. 867
[2] ዘፍ 12፡2፣ ሉቃ 6፡28፣ ሮሜ 12፡14፣1 ጴጥ 3፡9 ረአ

ሕይወት ዚትንከፍን ከምዝኾነ መጠን፣ ኣሠራርዓኡን ኣወሃህባኡን ከኣ ከምኡ ነቲ መዓርጋዊ ክህነት (ጳጳሳት ካህናት ወይ ዲያቆናት) ዝተመደበ ይኸውን።[3]

**1670** ምሥጢራት-መሰል ባዕሉ፡ ከም'ቲ ምሥጢራት ዚህቦ ጸጋ-መንፈስ ቅዱስ ኣይህብን እዩ፤ እንተኾነ ግና ብጸሎት-ቤተክርስትያን ተሰንዩ፡ ነኣና ነቲ ጸጋ ንምቕባል፣ ምስኡ ንምትሕብባር ክንክእል የሰናድወና። ነቶም ኣብ ጽቡቕ ኣተናን ኣቀራርባን ዚርከቡ ምእመናን፣ እዚ ዚፍጸም ናይ ምሥጢራት ኩነ፡ ምሥጢራት-መሰል ሥርዓተ-ኣምልኾ፣ ነቲ ዅሉ ኣብ ሕይወቶም ዚፍጸም፣ በቲ ካብ ናይ ክርስቶስ ፋሲካዊ ምሥጢር ስቅለትን-ሞትን-ትንሣኤን ዚርከብ መለኮታዊ ጸጋ ገቢሩ ይቕድሶ። ኵሎም ምሥጢራትን ምሥጢራት-መሰልን ካብ'ዚ ምንጪ'ዚ ኃይሊ ይረኽቡ። ንቕድስና ሰባትን፡ ንውዳሴ ኣምላኽን ከገልግል ዘይኽእል፡ ናይ ግዙፍ ነገራት ቅኑዕ ኣገልግሎት የልቦን ኪበሃል ይከኣል።[4] 1128 2001

## ዝተፈላለየ ዓይነት ምሥጢራት-መሰል

**1671** ካብ መንጎ'ዚ ምሥጢራት-መሰል፣ ቡራኬ (ናይ ሰባት፣ ናይ መኣዲ፣ ናይ ኣቕሑትን፡ ቦታታትን) ቀዳማይ ቦታ ይሕዝ። ዝኾነ ይኹን ቡራኬ ንውዳሴ-ኣምላኽ እዩ፣ ጸጋታቱ ከኣ ይምህለል። ኣብ ክርስቶስ ድማ፣ እቶም ክርስትያን "በቲ ኩሉ መንፈሳዊ በረኸት"[5] ብእግዚኣብሔር-ኣቦ ይባረኹ። በዚ ምኽንያት'ዚ እያ ቤተክርስትያን ነቲ ቅዱስ ትእምርተ-መስቀል-ክርስቶስ እናኽትገብር ስም ኢየሱስ ብምጽዋዕ ቡራኬ እትዕድል። 1078

**1672** ገሊኡ ቡራኬታት፣ ሰባት ንእግዚኣብሔር ኪውፈዩ ዚቕድሶም፣ ንገሊኡ ኣቕሑትን ቦታታትን ድማ ንግብረ-ኣምልኾ ፈልዩ ዚምድብ ስለዝኾነ ነባር ቍምነገር ዘለዎ እዩ።ንሰባት ካብ ዝተመደበ ቡራኬታት፡- ምስ'ቲ መዓርጋዊ ምሥጢራት ዘይደባለቕ፣ ከም ናይ ገዳም ኣበምኔት ወይ እመምኔት ዚቕበልዎ ቡራኬ፣ ናይ ደናግልን መበለታትን ተወፍዮት፣ ናይ ውፉይ ሕይወት ሥርዓት-ብፅዓት፣ ከምኡ'ውን ገሊኡ ናይ ኣገልገልቲ ቤተክርስትያን ቡራኬታት (ኣንባቢ-ዓጻዊ፣ መምህር ትምህርተ ክርስትና... ወዘተ) ዚርከቦ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኣቕሑት ቤተክርስትያን (ንዋየ ቅድሳት) ናይ ዚግበር ቡራኬ ኣብነት ድማ፡ ናይ ቤተ ክርስትያን ወይ መንበረ ታቦት ቡራኬ፣ ናይ ቅዱስ ዘይቲ፣ ናይ ዓታሩ ፅንባባን፡ ኣልባሳትን፡ መቓርዝን ደወላትን ቡራኬ ኪጥቀስ ይከኣል። 923: 925 903

**1673** ሓደ ሰብ ወይ ኣቕሓ፡ ካብ ኃይሊ-ክፍኣት ምእንቲ ኪሕሎ፣ ካብ ግዝኣቱ'ውን ምእንቲ ኪገላገል፣ ቤተክርስትያን ብስም-ክርስቶስ ብሥርዓትን ብሥልጣንን እትፍጽሞ ልመናን ምህለላን ኣውፅኦተ-ኣጋንንት ይበሃል። ኢየሱስ 395: 550 1237

[3] ቅዱስ ጉባኤ SC 79፣ሕገቀኖና፣ ቀ. 1168፣De Ben 16, 18 ረኣ
[4] ቅዱስ ጉባኤ SC 61
[5] ኤፌ 1:3

ኣጋንንት የውፅእ ነበረ፤ ቤተክርስትያን እውን ነዚ ናይ ኣውፅኦተ-ኣጋንንት ሥልጣንን ክእለትን ካብኡ ተቐቢላቶ እያ።[6] ገርህን ተራን ብዝኾነ ኣገባብ ኣብ ሥርዓተ ምሥጢረ ጥምቀት ኣውፅኦተ-ኣጋንንት ኪፍጸም ይርከብ። እቲ ሥሩዕን ምዱብን ዝኾነ ኣውፅኦተ-ኣጋንንት፣ "ልዑል ኣውፅኦተ ኣጋንንት" ዚበሃል ብኻህን፡ እሞ ንሱ ኸኣ ብፍቓድ-ኣቡን (ጳጳስ) ጥራሕ'ዩ ዚፍጸም። እቲ ካህን፡ ነቲ ብቤተክርስትያን ዝተመደበ ሕግታት ኣጽኒዑ ብምኽታል ብጥበብ ኪንቀሳቐስ ኣለዎ። ናይ ኣውፅኦተ-ኣጋንንት ዕላማ በቲ ኢየሱስ ንቤተክርስትያኑ ዝሃባ መንፈሳዊ ሥልጣን፣ ናይ ሠይጣውንቲ ምስጓጉ (ምውፃእ) ወይ ከኣ ካብ ግዝኣት ክፉኣት መናፍስቲ ሓራ ምውፃእ እዩ። ሕማም ኪበሃል ከሎ፣ ብፍላይ ሥነ-ልቦናዊ ሕማም ፈጺሙ ፍሉይ እዩ፤ ነዚ ከም'ዚ ዝበለ ምክንኻንን ምሕዋይን ናይ ሕክምናዊ ጥበብ (ሜዲካል ሳይንስ) ተግባር እዩ። ምእንት'ዚ ኣውፅኦተ-ኣጋንንት ቅድሚ ምፍጻም መንም ሕማም ዘይኮነስ፡ ናይ ክፉእ መንፈስ ምህላውን፣ ዕላማኻ ንሱ ምዃኑን ምርግጋጽ የድሊ።[7]

## ሕዝባዊ መንፈሳዊ ተግባራት

**1674** ብዘይካ'ዚ ናይ ምሥጢራት ሥርዓተ-ኣምልኾን፣ ምሥጢራት-
2688 መሰልን፣ ነቲ ብምእመናን ዚፍጸም ናይ መንፈሳዊ ተግባራት መልክዕን፡ ናይ
2669 መንፈሳውነት መሥርዕን'ውን፣ መደብ ትምህርተ ክርስትና ኣብ ግምት ከእትዎ
2678 ዚግበኦ እዩ። ናይ ሕዝበ ክርስትያን መንፈሳዊ ስምዒትን እምነትን፡ ኣብ ዙርያ'ቲ ሕይወት-ምሥጢራት ብዚንቀሳቐስ ዝተፈላለየ መንፈሳዊ መልክዕን መሥርዕን ኪግለጽ ይርከብ። እዚ ኸኣ ከም ኣኽብሮት-ቅርያት-ቅዱሳን፣ ናብ መካነ ንግደት ዚግበር ምብጻሕ፣ ንግደት፣ዑደት፣ ፍኖተ መስቀል፣ መንፈሳዊ ሳዕስዒት፣ ጸሎተ መቝጸርያ፣ ሜዳልያ ድንግል ማርያም...ወዘተ ዝበለ እዩ።[8]

**1675** እዚ መግለጺ መንፈሳውነት፡ ነቲ ናይ ቤተክርስትያን ሥርዓተ-ኣምልኾኣዊ ሕይወት ዜስፍሑን ዜበርትዖን ደኣ'ምበር መተካእታኡ ኣይኮነን። ምእንት'ዚ ከኣ እዚ መንፈሳዊ ተግባራት'ዚ ምስ'ቲ ዘመናተ-ሊጡርግያ ከም ዚሰማማዕ ኪግበር፣ ምስ'ቲ ቅዱስ መደብ ግብረ-ኣምልኾ ዚሳነ ኪኸውን፣ ግብረ-ኣምልኾ (ሊጡርግያ) ብባሕሪኡ ካብኡ ኣዝዩ ዝለዓለን ዝዓበየን ብምዃኑ፣ እቲ መንፈሳዊ ተግባራት ካብኡ ዚፍልፍልን፣ ንሕዝቢ ድማ ናብኡ ዚመርሕን ኪኸውን ይግባእ።[9]

**1676** ነዚ ሕዝባዊ መንፈሳዊ ተግባራት ንምድጋፍን ንምኹስኻስን፣ ዘድሊ
426 እንተደኣኮይኑ፣ ነዚ መንፈሳዊ ተግባራት'ዚ መሠረት ዝኾነ መንፈሳዊ ርድኢትን

---

[6] ማር 1፡25-26፣3፡15፣6፡7፣ 13፣16፡17 ረአ
[7] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1172 ረአ
[8] ጉባኤ ኒቅያ 2ይ፡ ደንዚንገር DS 601፣603፣ጉባኤ ትረንቶስ፡ ደንዚንገር DS 1822 ረአ
[9] ቅዱስ ጉባኤ SC 13 § 3

*ስምዒትን ንምጽራይን ንምእራምን፣ ምእንትʼዚ ከኣ ምእመናን ናይ ምሥጢረ ክርስቶስ ኣፍልጦኦም ንምዕማቑ ንኺሕግዞም፣ሓዋርያዊ ጎልዮትን መምርሕታትን የድልዮም እዩ።*[10] *እዚ መንፈሳዊ ተግባራቶም ኵሉ ኣብ ትሕቲ ናይ ኣቡናት ፍርድን ጎልዮትን፡ ኣብ ትሕቲ ሓፈሻዊ ሕጊ ቤተክርስትያን፣ ኮይኑ ዚምመ እዩ።*

> *ብመሠረቱ እዚ ሕዝባዊ መንፈሳውነት ዓቢይ ቀዅምነገር ዝሓቘፈ ሕንጻ እዩ፤ ንናይ ሕይወት ዓበይቲ ሕቶታት (ግድላት) ዚኸውን ናይ ጥበብ-ክርስትና ምላሻት ኣብኡ ይርከብ። እቲ ናይʼዚ ሕዝቢ ካቶሊካዊ ልቦና ንርእሱ መሠረታውን ኣገዳስን ዝኾነ ምውህሃድ ከፍሪ ዓቕሚ ኣለዎ።.... ንሰብኣውን መለኮታውን፣ ንክርስቶስን ማርያምን፣ መንፈስን ግዙፍ ሥጋን፣ ሱታፌ-ኅብረትን፡ ቅዉም ሥርዓትን፣ ንውልቀ-ሰብን፡ ማኅበረሰብን፣ እምነትን ሃገራውነትን፣ ኣእምሮን ስምዒትን ብዘደንቕ ከእለት ከወሃህዶ ይርከብ። እዚ ልቦናʼዚ (ጥበብ) ክርስትያናዊ ሰብኣውነት የርኢ። ክርስትያናዊ ሰብኣውነት ብመሠረቱ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ከም መጠን ውሉድ-ኣምላኽ ዘለዎ ክብረ-ግርማ የረጋግጽ፣ መሠረታዊ ኅውነት ይተክል፣ ምስ ተፈጥሮ ብዘለዎም ርክብን፣ ንስራሕ ብዘለዎም ግምትን ንሰባት ይምህሮም፤ ኣብ መንጎʼቲ ጽንኩር ዅነታት-ሕይወት ኮይንካʼውን ንታሕጓስን፣ ብዋዛ ንዚርከብ ርግኣትን ዚኸውን ምኽንያታት ይህብ። ነቲ ሕዝቢ እንተደኣ ኮይኑ፡ እዚ ከምዚ ዝበለ ጥበብ ወይ ልቦና፡ ዚመምየሉን ዘለልየሉን መምርሒ፣ ከምኡʼውን ኣብ ቤተክርስትያን ዚፍጸም ስብከታዊ ኣገልግሎት፣ ብኻልእ ረብሓታት ተዓፊኑ፡ ትሕዝቶኡ ተደፊኑ እንተኾይኑ ፈልዩ ዘስተውዕለሉ ወንጌላዊ ርድኢት እዩ።"*[11]

---

## ብሓጺር

**1677** *ምሥጢራት-መሰል፡ ብቤተክርስትያን ዝተሠርዑ መንፈሳዊ ምልክታት (ትእምርታት) እዮም፤ ሰባት ንናይ ምሥጢራት ፍርያት ንኪቕበሉ የሰናድዉዎም፣ ንናይ ሕይወት ዝተፈላለየ ዅነታት ከኣ ይቕድሱ።*

**1678** *ካብ ወገን ምሥጢራት-መሰል፣ቡራኬታት ዝለዓለ ቦታ ይወሃቦ። ንኣምላኽ ስለʼቲ ተግባራቱን ጸጋታቱን ንዚቐርብ ውዳሴን፣ሰባት ንጸጋ-ኣምላኽ ብመንፈስ-ወንጌል ንኺግልገልሉ ቤተክርስትያን ንእተቕርበሎም ኣማልድነትን ዜመልክት እዩ።*

**1679** *ብዘይካ ሥሩዕ ግብረ-ኣምልኾ፣ ሕይወት-ክርስትና መግቢ ዚረኽበሉ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ባህልን ልምድን ዝተመሥረተ በብዓይነቱ ሕዝባዊ መንፈሳዊ ተግባራት ኣሎ። ቤተክርስትያን*

---

[10] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ CT 54
[11] ጉባኤ ጳጳሳት ደ.ኣመሪካ CELAM, Third General Conference (Puebla, 1979), Final Document § 448 (tr. NCCB 1979)፣ ጳውሎስ 6ይ EN 48

ድማ፡ ብብርሃን-እምነት ተደጊፉ ብጥንቃቐ እናኣነጻጸረት፣ ነቲ ወንጌላዊ ስምዒትን ርድኢትን፣ ሰብኣዊ ጥበብን ልቦናን ዘንጸባርቕን፡ ንሕይወት-ክርስትና ዘዕምቝን ሕዝባዊ መንፈሳውነት ከተማዕብል ትርከብ።

---

**ኣንቀጽ** 2

## ሥርዓተ ቀብር-ክርስትና

**1680** ኵሎም ምሥጢራት፣ ብፍላይ ድማ እቶም ናይ መባእታ-ክርስትና
1525 ምሥጢራት፣ ዕላማኦም እቲ ናይ ደቂ-ኣምላኽ መወዳእታ ፋሲካ (ምስግጋር) እዩ። ነቲ ውሉድ-ኣምላኽ ብሞት ኣቢሉ ናብ'ቲ ናይ መንግሥተ ሰማያት ሕይወት ኪመርሖ ይርከብ። ሽው እቲ "ብትንሣኤ ሙታን፡ በቲ ዚመጽእ ዘለዓለማዊ ሕይወት ኣኣምን"[12] ኪብል ዝገለጾ እምነትን ተስፋን ኪፍጸም እዩ።

## I. ናይ ክርስትያን መወዳእታ ፋሲካ (ምስግጋር)

**1681** ናይ ሞት ክርስትያናዊ ትርጕሙ ዚግለጽ ብመንፅር'ቲ ተስፋና
1010-1014 ዝተነብረሉ፣ ናይ ክርስቶስ ሞትን ትንሣኤን ዝሓዘ ፋሲካዊ ምሥጢር እዩ። እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዚመውት "ካብ ሥጋ ተፈልዩ፣ ምስ ጐይታ ዚነብር" ዘሎ እዩ።[13]

**1682** ንሓደ ክርስትያን እቲ ብምሥጢራት ዝተሰነየ ሕይወቱ ዘብቀዓሉ እዋን፣ ማለት እታ ዕለተ-ሞቱ፣ እቲ ኣብ ጥምቀቱ ዝጀመረ ሓዲሽ ልደት ተፍጻሜት ዚረኽበሉ፡ ዕድል ይኽፈተሉ። እዚ ኸኣ፡ ነቲ ብቅብኣተ መንፈስ ቅዱስ ዝለበሶ፣ "ኣምሳል-ወልድ" ንመወዳእታ በኣኡ "ኪቕረጽ"፣ ከምኡ'ውን ልብሰ-መርዓ ለቢሱ ንኺኣቱ፣ ናይ መወዳእታ ተናጽሖ ዜድልዮ'ኳ እንተኾነ፣ ብቅዱስ ቍርባን ድሮ ኣስተማቒርዎ ንዝጸንሖ ናይ መንግሥተ ሰማይ በዓል ንኺሳተፍ ዘብቀዖ እዩ።

**1683** ብምሥጢራዊ መንገዲ፣ ኣብ ግዜ ምድራዊ ጕዕዞኡ ነቲ ክርስትያን
1020 ኣብ ማሕፀና ዝጸወረቶ ቤተክርስትያን ድማ፣ ኣብ'ዚ ምዝዛም-ጕዕዞኡ፡ ናብ
627 "ኢድ እግዚኣብሔር-ኣቦ" ንኽተማሕጽኖ፡ ብዚግባእ ከተሰንዮ ትርከብ። ብኽርስቶስ ገቢራ ንእግዚኣብሔር ነዚ ውሉድ ጸጋኡ ተወፍየሉ፣ ናይ'ቲ ብኽብሪ ኪትንሥእ

---

[12] ጸሎተ ሃይማኖት ኒቅያ-ቍስጥንጥንያ
[13] 2 ቆሮ 5:8

ዘለዎ ሥጋ ዘርኢ ድማ፡ ብተስፋ ናብ ምድሪ ተማዕቍቦ።[14] እዚ ወፈያ'ዚ ኸኣ ኣብቲ መሥዋዕተ ቅዱስ ቍርባን ብምልኣት ይኸበር። እቲ ቅድሚ መሥዋዕተ ቅዳሴ ይኹን ድሕሪኡ ዚግበር ቡራኬ(ጸሎተ ፍትሓት) ምሥጢራት-መሰል እዩ።

## II. ኣፈጻጽማ ሥርዓተ ቀብር (ግብኣተ መሬት)

1684 ክርስትያናዊ ሥርዓተ ቀብር፡ ናይ ቤተክርስትያን ግብረ-ኣምልኾኣዊ ስራሕ እዩ።[15] ናይ'ዚ ኣገልግሎት (ተልእኮት) ቤተክርስትያን ዕላማ ከኣ፣ ምስ'ቶም ዝሞቱ ዘሎና ፍረ ዘለዎ ኅብረት ምርግጋጽ እዩ። እዚ ዚገልጾ ድማ ናይ'ታ ኣብ ሥርዓተ ቀብር እትጋባእ ማኅበረ-ምእመናን ኣብ'ቲ ኅብረት ምህላውን፣ ነዛ ማኅበር ከኣ ህላዌ ዘለዓለማዊ ሕይወት ምብሣርን እዩ።

1685 ምስ ናይ ወገኑ ኵነታትን ልምድታትን ብምስምማዕ፣ ወላ እቲ ዚልበስ ኣልባሳትን ሕብርታቱን ከይተረፈ ዝተፈላለየ ሥርዓታተ-ቀብር ምህላዉ፡ ነቲ ናይ ክርስትያናዊ ሞት ፋሲካዊ ባሕርይ ዚገልጽ እዩ።[16]

1686 እቲ ናይ ሮማዊ ሥርዓተ-ኣምልኾ "ናይ ክርስትያን ሥርዓተ ቀብር" (መጽሓፈ ግንዘት)፣ ምስ'ቲ ዚፍጸመሉ ቦታ ቤት፡ ቤተክርስትያን፡ መካነመቓብር ዚሰማማዕን፣ በቲ ስድራቤት ኮነ፡ ናይ'ቲ ቦታ ልምዲ ባህሊ ወይ ሕዝባዊ መንፈሳውነት፡ ብዚወሃቦ ግምት መሠረት፣ ሠለስተ ዓይነት ሥርዓተ-ቀብር የቕርብ። እዚ መሥርዕ ኣገባብ ሥርዓተ-ቀብር ኣብ ኩሉ ሥርዓታት ኣምልኾት ብሓባር ዚፍጸም እንኪኸውን፣ ኣርባዕተ ቀንዲ ወገናት ዘጠቓልል እዩ፡-

1687 *ናይ ማኅበረ ምእመናን ሰላምታ።* እቲ ሥርዓት ብናይ እምነት ሰላምታ ይጅምር። ንናይ መዋቲ ቤተሰብን ፈተውትን ብናይ ምጽንናዕ ቃላት ሰላምታኻ ተቐርበሎም። (ብናይ ሓዲስ ኪዳን ርድኢት፣ ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ብተስፋ ንኸጽንዮም)።[17] እቲ ኣብ ጸሎት ዝተጸምደ ማኅበረ-ምእመናን ከኣ "ናይ ዘለዓለማዊ ሕይወት ቃላት" ኪጽበ ይርከብ። ናይ ሓደ ኣባል'ቲ ማኅበረ-ምእመናን ዕረፍቲ፣ (ወይ ናይ ዕረፍቱ ዝኽረ-ዓመት፣ ወይ ድሕሪ ሞቱ፡ ኣብ ሳብዕቲ፣ ወይ 40 መዓልቲ) ዚግበር ኵሉ ንምእመናን ጠመተኦም ክንየው'ዚ ዓለም'ዚ ንኺገብሩ ኣብ'ቲ ዝተንሠአ ክርስቶስ ናይ ቅኑዕ እምነት ርድኢት ዘለዓዕል ኪኸውን ይግበኦ።

1688 *ቃል-ኣምላኽ።* ኣብ'ቲ ሥርዓተ-ቀብር ዚሳተፉ ወገናት ገሊኣቶም ስሕት ኢሎም ጥራሕ ኣብ ሥርዓተ ኣምልኾ ዚሳተፉ፣ ከምኡ'ውን ክርስትያን ዘይኮኑ ፈተውትን ፈለጥትን መዋቲ ኪህልዉ ስለዚኽእሉ፣ እቲ ብግዜ ሥርዓተ

---

[14] 1 ቆሮ 15፡42-44 ረአ
[15] (------------)
[16] ቅዱስ ጉባኤ SC 81 ረአ
[17] 1 ተሰ 4፡18 ረአ

ቀብር ዚፍጸም ናይ ቃል-ኣምላኽ ንባባትን ጸሎታትን ጥንቁቕ ዝኾነ ምስንዳው ኪግበረሉ የድሊ። እቲ ስብከት'ውን እንተኾነ ብፍላይ፣ "እቲ ልሙድ ዝኾነ ናይ ቀብሪ ውዳሴ"[18] ምኺኑ ተሪፉ፣ ብመንፅር'ቲ ዝተንሣአ ክርስቶስ ንምሥጢር ክርስትናዊ ሞት ዜብርህን ዜጕልህን ኪኸውን ይግባእ።

**1689** *መሥዋዕተ ቅዳሴ።* እቲ ሥርዓተ ቀብር ኣብ ቤተክርስትያን ዚፍጸም
1371 እንኪኸውን፣ መሥዋዕተ ቅዳሴ ናይ'ቲ ክርስትያናዊ ሞት ሕመረት ፋሲካዊ
958 ሃለዋቱ ኮይኑ ይርከብ።[19] ቤተክርስትያን ምስ'ቲ መዋቲ ዘለዋ ፍሪ ዘለዎ ኅብረትን ሱታፌን ዚግለጸሉ፣ ኣብዚ መሥዋዕተ ቅዳሴ እዩ፣ -ንናይ ክርስቶስ ሞትን ትንሣኤን ብመንፈስ ቅዱስ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ከተወፌ እንከላ፣ ነዚ ውሉዱ ካብ ኃጢኣትን ሳዕቤናቱን ንኽንጽሖ፣ ናብ ናይ መንግሥተ-ሰማይ ፋሲካዊ ምልኣት-መኣዲ ንኪቕበሎ፡ ቤተክርስትያን ክትልምነሉ ትርከብ።[20] በዚ ዓይነት'ዚ ብዚፍጸም መሥዋዕተ ቅዳሴ እምበኣር፣ ንሱ ሕያው ኣባል ዝኾነሉ ኣብ'ቲ ሥጋ-ክርስቶስ ብምስታፍ፡ ምስኡን ምእንትኡን ብምጽላይ፣ እታ ማኅበረ-ምእመናን ብፍላይ እታ ስድራቤት መዋቲ፡ ምስቶ'ም "ኣብ ጐይታ ዘዕረፉ" ኣብ ሱታፌን ኅብረትን ምንባር ክትመሃር ትኽእል።

**1690** *ፈነዋ።* ንመዋቲ ዚግበረሉ ስንብታ፡ ከኣ እቲ ብቤተክርስትያን ዚግበረሉ
2300 "ናይ መወዳእታ ምሕጽንታ ናብ ኣምላኽ" እዩ። "ማኅበረ-ክርስትና ንሓደ ኣባላ፡ ሥጋኡ ቅድሚ ኣብ መቓብር ምዕራፉ እትህቦ ናይ መወዳእታ ፈነዋ ሰላምታ እዩ።[21] ሥርዓተ ቢዛንቲን ነዚ ሃለዋት'ዚ በቲ ንመዋቲ ዚግበር ናይ ፈነዋ ምስዓም ይገልጾ፡

> በዚ ናይ መወዳእታ ሰላምታ፣ "ካብ'ዚ ሕይወት'ዚ ካባና ምፍላዩ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሱታፌን ኅብረትን ዳግማይ ምውህሃድን ስለዘሎ፡ ክንዝምር ንርከብ። ወላ'ኳ እንተሞተ፡ ሓደ ካብ ሓደ ኣይተፈላለናን፣ ምኽንያቱ ኹሉ ኹልና ሓንቲ መንገዲ ተኸቲልና ንጕዓዝ፡ ኣብ'ታ ሓንቲ ቦታ ምርኻብና ከኣ ዘይተርፍ እዩ። ምእንቲ ክርስቶስ ስለእንነብር፣ ሕጂ ድማ ኣብ ክርስቶስ ሓደ ስለዝኾንና ናብኡ ገጽና ክንስጕም ከሎና… ኵልና ኣብ ክርስቶስ ብሓደ ክንጽንበር ኢና፣ ፈጺምና ኣይንፈላለን ኢና"።[22]

---

[18] ክርስትያናዊ ሥርዓተ ቀብር OCF 41
[19] ክርስትያናዊ ሥርዓተ ቀብር OCF 1 ረአ
[20] ክርስትያናዊ ሥርዓተ ቀብር OCF 57 ረአ
[21] ክርስትያናዊ ሥርዓተ ቀብር OCF 10
[22] ቅ.ስምዖን ዘተሰሎንቄ De ordine sepulturae. 336፡ PG 155, 684

# ሣልሳይ ክፍሊ
# ብኽርስቶስ ሕያው ምዃን

## ቀዳማይ ወገን፡
## ጸዋዕታ ወድሰብ ብመንፈስ ቅዱስ ዚርከብ ሕይወት እዩ

### ምዕራፍ ሓደ፡
### ናይ ወድሰብ ክብረ ግርማ


ኣንቀጽ 1፡ ሰብ፡ ኣምሳል-ኣምላኽ እዩ

ብሓጺር

ኣንቀጽ 2፡ ናይ ብፅዕነት ጸዋዕታና

I. ቃላት ብፅዓን
II. ባህጊ ታሕጓስ
III. ክርስትያናዊ ብፅዕነት

ብሓጺር

ኣንቀጽ 3፡ ናጽነት ደቂ ሰብ

I. ናጽነትን ተሓታትነትን (ኃላፍነትን)
II. ሰብኣዊ ናጽነት፡ ኣብ ሥነምጋቤ ድኅነት

ብሓጺር

ኣንቀጽ 4፡ ናይ ሰብኣዊ ተግባራት ሞራላውነት

I. ናይ ሞራል ምንጭታት
II. ቅኑዕ ተግባራትን፣ ክፉእ ተግባራትን

ብሓጺር

ኣንቀጽ 5፡ ናይ ስምዒታት ሞራላውነት

I. ስምዒታት
II. ስምዒታትን፡ ሞራላዊ ሕይወትን

ብሓጺር

### ኣንቀጽ 6፡ ሞራላዊ ኅሊና

I. ፍርዲ ኅሊና
II. ኵስኵሳ ኅሊና
III. ምስ ኅሊና ዘሳኒ ምርጫ (ውሳኔ) ምግባር
IV. ግጉይ ፍርዲ
ብሓጺር

### ኣንቀጽ 7፡ ሰብኣውን መንፈሳውን ኃይላት

I. ሰብኣዊ ኃይላት
II. መንፈሳዊ ኃይላት
III. ናይ መንፈስ ቅዱስ ህያባትን ፍርያትን
ብሓጺር

### ኣንቀጽ 8፡ ኃጢኣት

I. ምሕረትን ኃጢኣትን
II. ትርጕም ኃጢኣት
III. ዝተፈላለየ ዓይነት ኃጢኣት
IV. ክበድ ኃጢኣት፣ ዓቢይን ንኡስን ኃጢኣት
V. ናይ ኃጢኣት ምብዛሕ
ብሓጺር

## ምዕራፍ ክልተ፡

## ሰብኣዊ ማኅበር

### ኣንቀጽ 1፡ ውልቀሰብን ኅብረተሰብን

I. ማኅበራዊ ባሕርይ፡ ሰብኣዊ ጸዋዕታ
II. ንስሓዊ ለውጥን፡ ኅብረተሰብን
ብሓጺር

### ኣንቀጽ 2፡ ኣብ ማኅበራዊ ሕይወት ምስታፍ

I. ሥልጣን
II. ሓባራዊ ጠቕሚ (ረብሓ)
III. ላፍነትን ተሳታፍነትን
ብሓጺር

### ኣንቀጽ 3፡ ማኅበራዊ፡ ፍትሒ

I. ን(ወድ)ሰብ ዚወሃብ ኣኽብሮ

II. ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ማዕርነትን ፍልየትን

III. ሰብኣዊ ኅብረት (ሓድነት፣ Solidarity)

ብሓጺር

## ምዕራፍ ሠለስተ፡

## ድኅነት ኣምላኽ፡ ሕግን ጸጋን

### ኣንቀጽ 1፡ ሞራላዊ ሕጊ

I. ባሕርያዊ ሕጊ-ሞራል

II. ሕጊ ኦሪት (ብሉይ)

III. ሓዲስ ሕጊ፣ ወይ ሕጊ ወንጌል

ብሓጺር

### ኣንቀጽ 2፡ ጸጋን ጽድቅን

I. ጽድቂ

II. ጸጋ

III. ትሩፋት

IV. ቅድስና ክርስትያን

ብሓጺር

### ኣንቀጽ 3፡ ቤተክርስትያን፡ ኣደን መሃሪትን

I. ሞራላዊ ሕይወትን፣ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርትን

II. ትእዛዛት ቤተክርስትያን

III. ሞራላዊ ሕይወትን፡ ተልእኮ-ወንጌላዊ ምስክርነትን

ብሓጺር

ዓሠርተ ትእዛዛት

# ሣልሳይ ክፍሊ

## ብኽርስቶስ ሕያው ምዃን

1691 "ኦ! ክርስትያን ክብርኻ ተገንዘብ፤ እነሆ ሕጂ ኣብ ናይ ኣምላኽ 790
ባሕርይ ተሳታፊ ኮይንካ ኢኻ። ምእንት'ዚ ኃጢኣት ብምፍጻም ናብ'ቲ ዝቐደመ ትሑትን ውርደተይናን ሃለዋትካ ክትምለስ ኣይትድለ። ዋናኻ (ርእስኻ) መን ምዃኑ፣ ንስኻ'ውን ናየናይ ኣካል ኣባል ወይ ክፍሊ ምዃንካ ዘክር። ካብ ናይ ጸልማት ግዝኣት (ሥልጣን) ተናጊፍካ፣ናብ ናይ መንግሥቲ-እግዚኣብሔር ብርሃን ከምዝመጻእካ ክትርስዕ የብልካን"[1]።

1692 ኣብ ተግባር-ፍጥረቱ፣ ብዝበለጸ ከኣ ኣብ ግብረ ድኅነትን ቀድሶትን ዚግለጽ፡ ንሰብ ዝተዋህበ ጸጋ-ኣምላኽ ዓቢይ ምዃኑ፡ እቲ ምልክት-እምነት (ሲምቦሎን) የረጋግጽ። እምነት ነቲ ዚገልጾን ዘረጋግጾን ብምሥጢራት የሳትፎ፤ በቲ ናይ ዳግም ልደት ምሥጢራት፣ ክርስትያን "ውሉድ-እግዚኣብሔር"[2] "ተሳተፍቲ መለኮታዊ ባሕርይ" ይኾኑ።[3] ክርስትያን ነዚ ሓዲስ ክብሮም ብዓይኒ-እምነት ብምጥማት ደጊም "ንወንጌል-ክርስቶስ ዚበቅዕ ንብረት"[4] ኪሕዙ ዝተጸውዑ እዮም። ነዚ ንምፍጻም ዚኽእሉ ከኣ፡ ብምሥጢራትን ብጸሎትን ብዚቕበልዎ ጸጋ-ክርስቶስን፣ ህያባት መንፈስ ቅዱስን እዮም።

1693 ክርስቶስ ኢየሱስ ወትሩ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ባህ ዘብል ይገብር።[5] ወትሩ ከኣ ምስኡ ኣብ ፍጹም ሱታፌን ሓድነትን ይነብር። ኣርድእተ-ክርስቶስ'ውን፡ ልክዕ ከምኡ፣ ኣብ ቅድም'ቲ "ብኅቡእ ዚርኢ"[6] እግዚኣብሔር ብዚንበር ሕይወት፣ ከምቲ "ሰማያዊ ኣቦኦም ፍጹም ዝኾነ፡ ፍጹማን"[7] ንኪኾኑ ዝተጸውዑ እዮም።

1694 ብጥምቀት ምስ ክርስቶስ ብምውህሃድ፡ ክርስትያን "ንኃጢኣት 1267
ሞይቶም፣ ብክርስቶስ ኢየሱስ ንእግዚኣብሔር ሕያዋን ዝኾኑ"፣ ምእንት'ዚ ኸኣ ኣብ ሕይወት'ቲ ዝተንሠአ ጐይታ ዚሳተፉ እዮም[8]። ክርስትያን ንክርስቶስ ተኸቲሎምን፡ ምስኡ ተወሃሂዶምን[9]፣ "መጠን ፍቁራን ውሉድ ብፍቕሪ

---

[1] ቅ.ልዮን ዓቢይ Sermo 21 in nat. Dom., 3፡ PL 54, 192C.
[2] ዮሓ 1፡12፣1 ዮሓ 3፡1
[3] 2 ጴጥ 1፡4
[4] ፊልጵ 1፡27
[5] ዮሓ 8፡29 ረአ
[6] ማቴ 6፡6
[7] ማቴ 5፡48
[8] ሮሜ 6፡11፣ 6፡5፣ቆላ 2፡12 ረአ
[9] ዮሓ 15፡5 ረአ

ኪመላለሱን ንኣምላኽ ንኺመስሉን"[10]፤ ንሓሳባቶምን ቃላቶምን ተግባራቶምን ከኣ ምስ'ቲ "ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝነበረ.....ኣተሓሳስባ"[11] ብምስምማዕን፡ ኣብነቱ ብምስዓብን ኪጽዕሩ ይርከቡ።[12]

**1695** "ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፡ ብመንፈስ ኣምላኽናን..... ዝጸደቑን፣"[13] "ዝተቐደሱን.....ቅዱሳን ንምዃን ዝተጸውዑን"[14] ክርስትያን ናይ መንፈስ ቅዱስ ቤተመቕደስ ኮይኖም እዮም።[15] እዚ "መንፈስ-ወልድ" ድማ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ንኺጽልዩ ይምህሮም[16]፣ ሕይወቶም ብምዃን እውን፡ ኣብ ፍቕርን ግብረ-ሠናይን ተጊሆም፣ "ፍረ-መንፈስ ቅዱስ"[17] ዜርኢ ተግባራት ንምፍጻም ኪድርኾም ይርከብ። ንናይ ኃጢኣት ቍስሊ ብምሕዋይ፣ ብመንፈሳዊ ለውጥን ተሓድሶን፣ መንፈስ ቅዱስ ብውሽጢ የሓድሰና።[18] ከም "ደቂ ብርሃን" ኮይንና፣ በቲ ኩሉ "ሠናይን ጽድቅን ሓቅን ዘበለ ነገር" ንምንባር ምእንቲ ክንክእል፡ መንፈስ ቅዱስ የብረሃልናን የበርትዓናን።[19]

**1696** መንገዲ-ክርስቶስ "ናብ ሕይወት ይወስድ"፣ ተጻዩ ዝኾነ መንገዲ
1970 ሽኣ "ናብ ጥፍኣት ይወስድ"።[20] እቲ ኣብ ወንጌል ዚጥቀስ ናይ ክልተ መንገዲ ምሳሌ፡ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን መደብ ትምህርተ-ክርስትና ወትሩ ህልው እዩ፤ ንድኅነትና ዜድሊ ሞራላዊ ውሳኔ መጠን ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ የነጽረልና፣ "ክልተ መንገድታት ኣለዋ፣ እታ ሓንቲ ናይ ሕይወት፣ እታ ካልኣይቲ ናይ ሞት፣ ኣብ መንጎ ክልቲኣተን ዓቢይ ፍልልይ ኣሎ"።[21]

**1697** *መደብ ትምህርተ-ክርስትና፡* ድማ መንገዲ-ክርስቶስ ንዚህቦ ሓጎስን ዚሓቶ ግድነታትን ኣነጺሩ ኪገልጽ ይግበኦ።[22] ኣብኡ ንዚንበር "ሓዲስ ሕይወት"[23] ዚበቅዕ መደብ ትምህርተ-ክርስትና እዚ ዚስዕብ ኪኸውን ኣለዎ፡-

- *ናይ መንፈስ ቅዱስ ትምህርተ-ክርስትና፡-* ናይ'ታ ብመንገዲ ክርስቶስ እትንበር
737 ff ሕይወት ውሽጣዊ ጐይታ፣ ነዛ ሕይወት'ዚኣ ዜብርህ ዚመርሕ፡ ዚእርምን ዜበርትዕን ክቡር ጋሻን መሓዛን እዩ።

[10] ኤፌ 5፡1-2
[11] ፊልጽ 2፡5
[12] ዮሓ 13፡12-16 ረኣ
[13] 2 ቆሮ 6፡11
[14] 1 ቆሮ 1፡2
[15] 1 ቆሮ 6፡19 ረኣ
[16] ገላ 4፡6 ረኣ
[17] ገላ 5፡22፣25
[18] ኤፌ 4፡23 ረኣ
[19] ኤፌ 5፡8፣9
[20] ማቴ 7፡13፣ዘዳ 30፡15-20 ረኣ
[21] ዲዲስቅልያ 1, 1፡ SCh 248, 140
[22] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ ትም.ክር.ምምሕልላፍ CT 29
[23] ሮሜ 6፡4

- *ናይ ጸጋ ትምህርተ-ክርስትና፦* ንሕና ብጸጋ ኢና ዝደሓንና፣ ከምኡ እውን ተግባራትና ንዘለዓለማዊ ሕይወት ዘበቅዕ ፍረ ክፍሪ ዚኽእል ሳላ ጸጋ እዩ። 1988 ff

- *ናይ ኣንቀጸ-ብፅዕና ትምህርተ-ክርስትና፣* መንገዲ-ክርስቶስ ኣብ'ቲ ኣንቀጸ-ብፁዓን ተጠቓሊሉ ይርከብ። ልቢ-ወድሰብ ሃረር ናብ ዚብሎ ዘለዓለማዊ ብፅዕና (ታሕጓስ) ዚወስድ ኡንኮ መንገዲ ንሱ እዩ። 1716 ff

- *ናይ ኃጢኣትን ምሕረትን ትምህርተ-ክርስትና፦* ወድሰብ ኃጢኣተይና ምኳኑ እንተዘይተኣሚኑ፣ ብሓቅን ብጽድቅን ንምስራሕ ዜኽእል፡ ብዛዕባ ርእሱ ንዚገሃድ ሓቂ ኪፈልጥ ኣይክእልን። ምሕረት እንተዘይተለጊሱሉ ድማ ነዚ ሓቅ'ዚ ኪጾሮ ኣይክእልን እዩ። 1846 ff

- *ናይ ሰብኣዊ ኃይላት ትምህርተ-ክርስትና፦* እዚ ድማ፡ ናብ'ቲ (ኂሩት)ሕያውነት ወይ ሠናይነት ገጹ ንዚመርሕ ቅኑዕ ኣተና፣ ጽባቔኡን ስሕበቱን ንምጭባጥ ዚድርኽ እዩ። 1803 ff

- *ናይ ክርስትያናዊ (መንፈሳዊ) ኃይላት ትምህርተ-ክርስትና፦* እዚ ኸኣ፡ ብኣብነት ቅዱሳን ንዚምራሕ እምነትን ተስፋን ፍቕርን ዚርኢ እዩ። 1812 ff

- *ናይ'ቲ ድርብ ትእዛዝ-ፍቕሪ ትምህርተ-ክርስትና፦* ኣብ'ቲ ዓሠርተ ትእዛዛት (ቃላት) ዘሎ እዩ። 2067 ff

- *ማኀበረ-ክርስትናዊ (ናይ ቤተክርስትያን) ትምህርተ-ክርስትና፦* ሕይወት-ክርስትና ዚዓብን ዚምዕብልን ናብ ካልእ'ውን ዚመሓላለፍ፣ በቲ ኣብ "ሱታፌ-ቅዱሳን" ዚረአ ብዙሕ ዝሕብሩ ናይ "መንፈሳዊ ረብሓታት" ምልውዋጥ እዩ። 946 ff

**1698** *ናይ'ዚ መደብ ትምህርተ-ክርስትና፡ መዥመርታን መወዳእታን ነጥቢ* (ጠርናፊ)፣ ወትሩ እቲ "*መንገድን ሓቅን ሕይወትን*"[24] ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ብቐንዱ እዩ። እቶም ምእመናን፣ ክርስቶስ ንዝኣተወሎም ቃሉ ኣብኦም ከምዚፍጽሞ ኪትስፈዉ፣ ከምኡ እውን፡ በቲ ንሱ ዘፍቀሮም ፍቕሪ ተመሊሶም ነኣኡ ብምፍቃር፡ ምስ ክብሮም ዚሳነ ተግባር ኪፍጽሙ ዚኽእሉ፣ ብእምነት ናብኡ ብምጥማት እዩ፦ 426

> ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ኡነተይና ዋናኹም (ርእስኹም)፣ ንስኻትኩም ድማ ኣባላቱ ምኳንኩም ክትግንዘቡ እልምነኩም ኣሎኹ። ናይ'ቲ ካልእ ወገን-ኣካሉ ርእሲ ከምዝኾነ፣ ከምኡ ናትኩም'ውን እዩ። ኩሉ እቲ ናቱ ዘበለ ናትኩም እዩ፤ መንፈሱ፣ ልቡ፣ ሥጋኡን ነፍሱን ኵሉ ክእለቱን ናትኩም እዩ። ነዚ ኹሉ ድማ ከም ናትኩም ገቢርኩም፣ ንእግዚኣብሔር ኣብ ምግልጋል፣ ምውዳስ፣ ምፍቃርን ምኽባርን ብዚግባእ ክትጥቀሙሉ የድሊ። ኣባላት ሓደ ኣካል፣ ናይ'ቲ ርእሲ ከም ዝኾኑ፡ ከምኡ ንስኻትኩም'ውን ናቱ ኢኹም። ስለ'ዚ ኸኣ እቲ ኹሉ ኣባኹም ዘሎ

[24] ዮሓ 14፡6

ኪጥቀመሉ፣ ከም ናቱ ገቢሩ ኣብ ናይ ኣቦኡ ኣገልግሎትን ኣኽብሮትን ከውዕሎ ሃረርታኡ እዩ።[25]

ነኣይ ሕይወት ማለት ክርስቶስ እዩ።[26]

[25] ቅ.ዮሓንስ ኤውደስ Tract. de admirabili corde Jesu, 1, 5
[26] ፊልጵ 1፡21

# ቀዳማይ ወገን

## ጸዋዕታ ወድሰብ

## ብመንፈስ ቅዱስ ዚርከብ ሕይወት እዩ

**1699** እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዚርከብ ሕይወት ንጸዋዕታ-ወድሰብ ተፍጻሜቱ ዚህቦ እዩ (ምዕራፍ ሓደ)። እዚ ሕይወት'ዚ ድማ ብመለኮታዊ ግብረሠናይን (ፍቕርን)፣ ብሰብኣዊ ኅብረትን ሓልዮት-ሓድሕድን ይቘውም። (ምዕራፍ ክልተ) እዚ ሕይወት'ዚ፡ ከም መጠን ድኅነት፣ ብናጻ ብኽምኡ ዝተለገሠ ህያብ እዩ (ምዕራፍ ሠለስተ)።

## ምዕራፍ ሓደ

## ናይ ወድሰብ ክብረ ግርማ

**1700** ናይ ወድሰብ ክብረ-ግርማ፡ ብናይ ኣምላኽ ኣምሳልን ኣርኣያን ኣብ ዝተፈጥረሉ ኵነት ዝተመሥረተ እዩ (ኣንቀጽ-1)፣ ኣብ ናይ መለኮታዊ ብፅዕና 356
ጸዋዕታ ከኣ ተፍጻሜቱ ይረክብ (ኣንቀጽ-2)። ወድሰብ ድማ ነዚ ተፍጻሜት'ዚ 1439
ንኺጭብጥ ብድላዩ ናብኡ ገጹ ኪንቀሳቐስ ኣድላዪ እዩ (ኣንቀጽ-3)። ደልዩን ፈሊጡን ብዚፍጽሞ ተግባራቱ (ኣንቀጽ-4) ሓደ ሰብ፡ ምስ'ቲ ብኣምላኽ ዝተዋህበ ቅኑዕ መደብ ዚሰማማዕ ወይ ዘይሰማማዕ ነገር፣ (ኣንቀጽ-5) ብሞራላዊ ኅሊና ምስክርነት ዚቐርበሉ ኪኸውን ይኽእል (ኣንቀጽ-6)። ደቂሰባት፡ ንውሽጣዊ ዕቤቶም (ብስለቶም) ዚሕግዝ ናይ ባዕሎም ኣበርክቶ ኪገብሩ ይርከቡ። ነቲ መላእ መንፈሳውን ሕዋሳውን ሕይወቶም ናይ'ዚ ዕቤት'ዚ መጋበሪ ይገብርዎ። ብናይ ጸጋ ሓገዝ ብመንፈሳዊ ኃይላት ይበስሉ (ኣንቀጽ-7)፤ ንኃጢኣት የወግዱ፣ እንተ ኀጥኡ'ውን ልክዕ ከም'ቲ በታኒ ወዲ[1] ዝገበሮ፡ ናብ ምሕረት'ቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦና ርእሶም የማዕቍቡ (ኣንቀጽ-8)። በዚ መንገድ'ዚ ነቲ ናይ ፍቕሪ-ፍጽምና ይጭብጡ።

[1] ሉቃ 15፡11-32

## ኣንቀጽ 1
# ሰብ፡ ኣምሳል-ኣምላኽ እዩ

**1701** “ክርስቶስ..... ንምሥጢር እግዚኣብሔር-ኣቦን ንፍቕሩን ኣብ ዚገልጸሉ
359 ዘበለ፣ ኣብኡ ንሰብ ብዛዕባ ርእሱ (ብዛዕባ ሰብ) ብምልኣት ይገልጸሉ፣ ነቲ
ልዑል ጸዋዕታኡ እውን ኣጸቢቑ የብርሆ።”[2] ወድሰብ ድማ፡ ብናይ ፈጣሪ
“ኣምሳልን ኣርኣያን” ዝተፈጥረ፣ “ናይ’ቲ ዘይረአ ኣምላኽ ምስሊ ዝኾነ”[3]
ብክርስቶስ እዩ። ኣብ ወድሰብ፡ በቲ ፈለማ ኃጢኣት ዝተበላሸወ መለኮታዊ
ምስሊ (ሥእሊ) ናብ’ቲ ጥንታዊ ጽባቑኡ ዝተመልሰን፡ ብጸጋ-ኣምላኽ ዝኸበረን
ከኣ ኣብ’ቲ መድኃኒትን ቤዛን ዝኾነ ክርስቶስ እዩ[4]።

**1702** እቲ መለኮታዊ ኣምሳል (ምስሊ) ኣብ ነፍስወከፍ ሰብ ዘሎ እዩ። ልክዕ
1878 ከም’ቲ ኣብ መንጎ መለኮታዊ ኣካላት ዘሎ ሓድነት፣ እቲ ኣምሳል ኣብ’ቲ ናይ
ሰባት ሱታፌ-ኅብረት ኣጸቢቑ ኣንጸባራቒ ይኸውን። (ምዕራፍ ክልተ ረአ)።

**1703** “መንፈሳዊትን ዘይመዋቲትን” ነፍሲ[5] ዝተዓደለ ወድሰብ፣ ንሱ
363 “ጥራሕ’ዩ፡ ኣብ’ዚ ምድር’ዚ ምእንቲ ርእሱ፣ ብኣምላኽ ዝተደልየ ፍጡር”።[6] ካብ
2258 ጽንሰቱ ኣትሒዙ ከኣ ንዘለዓለማዊ ብፅዕና ዝተመደበ እዩ።

**1704** ወድሰብ ኣብ ብርሃንን ኃይልን (ክእለትን) መንፈስ-ኣምላኽ ተሳታፊ
339 እዩ። ብዝተዓደሎ ኣእምሮ ነቲ ብፈጣሪ ዝተመደበ መሥርዕ-ነገራት ዚርደኣሉ
30 ዓቕሚ ኣለዎ። ብናጻ ድላዩ ከኣ፡ ናብ’ቲ ቅኑዕን ሠናይን ዘበለ ኪዝንብል ክእለት
ተዋሂብዎ እዩ። “ነቲ ሓቅን ሠናይን ዘበለ ብምፍቃርን፡ ነኣኡ ሃሰስ ኢሉ
ብምድላይን” ከኣ[7] ኣብ ፍጽምናኡ ይበጽሕ።

**1705** ብምኽንያት’ታ ዚውንና ነፍስን፣ ብዘለዎ ናይ ኣእምሮን ድልየትን
1730 መንፈሳዊ ክእለትን፣ ወድሰብ “ዝለዓለ ግልጸት መለኮታዊ ምስሊ”[8] ብዝኾነት
ናጽነት ዝተሸለመ እዩ።

**1706** ወድሰብ በዚ ኣእምሮኡ ተሓጊዙ፣ “ጽቡቕ ዘበለ ንኺፍጽም፣ ክፉእ
1776 ዘበለ ንኽወግድ”[9] ሕሹኽ ንዚብሎ ቃል-ኣምላኽ ከለሊ ይኽእል። ነዚ ብኀሊና
ኣቢሉ ድምጹ ዜስምዕን፣ ኣብ ፍቕሪ-ኣምላኽን ፍቕሪ-ብጻይን ዚረጋገጽን ሕጊ፣

---

[2] ፍሥሓን ተስፋን GS 22
[3] ቆላ 1፡15፣ 2 ቆሮ 4፡4 ረአ
[4] ፍሥሓን ተስፋን GS 22 ረአ
[5] ፍሥሓን ተስፋን GS 14 § 2
[6] ፍሥሓን ተስፋን GS 24 § 3
[7] ፍሥሓን ተስፋን GS 15 § 2
[8] ፍሥሓን ተስፋን GS 17
[9] ፍሥሓን ተስፋን GS 16

ነፍስወከፍ ሰብ ኪሕልዎ ትሑዝ እዩ። ብሞራል ዝተሠርዐ ሕይወት፡ ምስክር ሰብኣዊ ክብረ-ግርማ እዩ።

1707 "ብክፍኣት ተጠቢሩ ዝሰድዐ ወድሰብ፣ ድሮ ኣብ'ቲ ናይ ታሪኽ መፈለምታ፡ ንናጽነቱ ኣብ ዘይመዓላኡ ኣውዓሎ"።[10] ኣብ ፈተና ወደቐ፣ ክፉእ ድማ ገበረ። ጋና'ውን ነቲ ሠናይ ጽቡቕ ይብህግ፡ ይምነዮ፣ እንተኾነ ተፈጥሮኡ ናይ ኃጢኣት-ኣዳም ቍስሊ ጸዊሩ ይርከብ። ስለ'ዚ ከኣ ሕጂ ናብ ክፉእ ዚዝንብልን፡ ጌጋ ንምፍጻም ዚኽእልን ኮይኑ ይርከብ፡- 397

> ወድሰብ ኣብ ርእሱ ተመቓቒሉ ይረአ። ስለ'ዚ ከኣ ናይ ደቂሰብ መላእ ሕይወቶም፣ ውልቃዊ ይኹን ማኅበራዊ፣ ኣብ መንጎ ጽቡቕን ክፉእን፣ ኣብ መንጎ ብርሃንን ጸልማትን፡ ዚካየድ ቃልሲ እዩ። እሞ ዘገርምን ዘስደምምን ሕይወት እኳ ደኣ![11]

1708 ብሥቓያቱን ሞቱን፡ ክርስቶስ ካብ ኃይሊ ሰይጣንን ኃጢኣትን ኣናጊፉና። ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ እንነብሮ ሓዲስ ሕይወት ረኺቡልና። ኃጢኣት ኣባና ንዝፈጸሞ ማህሰይቲ፣ ብጸጋኡ ፈዊሱልና። 617

1709 ኣብ ክርስቶስ ዚኣምን ዘበለ ውሉድ-ኣምላኽ ይኸውን። እዚ ውሉዳዊ ጸጋ ድማ ኣብነት ክርስቶስ ንምኽታል የኽእሎ፣ በኣኡ ገቢሩ ኸኣ ይልውጦ። 1265
ብቅኑዕ ኣገባብ ንኺንቀሳቐስን ጽቡቕ ተግባር ንኺፍጽምን ክእለት ይህቦ። እቲ ወደመዝሙር ምስ መድኃኒኡ ብምውህሃድ ነቲ ብቕድስና ዚግለጽ ፍጽምና-ፍቕሪ ይጭብጦ። ብጸጋ ተኹስኵሱን በሲሉን ከኣ፡ እቲ ሞራላዊ ሕይወቱ፡ ኣብ ዘለዓለማዊ ሕይወት፣ ኣብ ናይ መንግሥተ ሰማይ ክብሪ ኪዕንብብ ይርከብ። 1050

## ብሓጺር

1710 "ክርስቶስ...ንሰብ ብዛዕባ ርእሱ (ብዛዕባ ሰብ) ብምልኣት ይገልጸሉ፤ ነቲ ልዑል ጸዋዕታኡ ኣጸቢቑ የብርሃሉ" (ፍሥሓን ተስፋን GS 22 §1)።

1711 መንፈሳዊት ነፍስን፡ ኣእምሮን ናጻ ድላይን ዝተዓደለ ወድሰብ፣ ካብ ፈለማ ጽንሰቱ ኣትሒዙ ናብ ኣምላኽ ዘበለን፣ ንዘለዓለማዊ ብፅዕና ዝተመደበን እዩ። "ነቲ ሓቅን ጽቡቕን ዘበለ ብምድላይን ብምፍቃርን" ከኣ መደብ ፍጽምናኡ ኪኽተል ይጽዕር።(ፍሥሓን ተስፋን GS 15 §2)

1712 እታ ኣብ ሰብ ዘላ፡ ሓቀይና ናጽነት፣ "ናይ'ቲ መለኮታዊ ምስሊ (ሥእሊ) ዝለዓለት ግልጸት" እያ። (ፍሥሓን ተስፋን GS 17)

[10] ፍሥሓን ተስፋን GS 13 § 1
[11] ፍሥሓን ተስፋን GS 13 § 2

1713 ወድሰብ "ጽቡቕ ንምግባር፣ ክፉእ ንምውጋድ ሕሹኽ ንዚብሎ ሞራላዊ ሕጊ ኪኽተል ይግደድ።(ፍሥሓን ተስፋን GS.16 ረአ) እዚ ሕግ'ዚ ድምጹ ዚስመዓሉ ኣብ ኅሊና እዩ።

1714 ወድሰብ፡ ብባሕሪኡ ብኃጢኣት ዝቈሰለ ስለዝኾነ ናጽነቱ ኣብ ግብሪ ኣብ ዘውዕለሉ፣ ብቐሊሉ ኪሰሓሓት ዚኽእልን፡ ናብ ክፉእ ዝዘንበለን ኮይኑ ይርከብ።

1715 እቲ ኣብ ክርስቶስ ዚኣምን ብመንፈስ ቅዱስ ዚንበር ሓዲስ ሕይወት ጨቢጡ እዩ። እቲ ብጸጋ ዝዓበየን ናብ ብስለት ዝበጽሐን ሞራላዊ ሕይወት፡ ተፍጻሜቱ ዚረክብ ኣብ ናይ መንግሥተ ሰማይ ክብሪ እዩ።

---

## ኣንቀጽ 2
# ናይ ብፅዕነት ጸዋዕታና

## I. ቃላት ብፅዓን

1716 እቲ ቃላት ብፅዓን ናይ ትምህርቲ-ኢየሱስ ዓንድማእከል እዩ። ካብ ኣብርሃም ጀሚሩ ነቲ ኅሩይ ሕዝቢ ዝተዋህበ ተስፋን ቃልን የጠቓልል። እዚ ቃላተ ብፅዓን ናይ'ቲ ተስፋታት ተፍጻሜት ኮይኑ ዚርከብ፣ ነቲ ተስፋ ናብ ዋንነት ምድራዊ ቦታ ዘይኮነስ፣ ናብ መንግሥተ ሰማይ ከምዘተኵር ብምግባር እዩ፡-

2546 ብመንፈስ ድኻታት ዝኾኑ ብፁዓን እዮም፣ ከመይሲ መንግሥተ ሰማያት ናታቶም እያ።

እቶም ዚሓዝኑ ብፁዓን እዮም፣ ከመይሲ ኪጸናንዑ እዮም።

እቶም የዋኃን ብፁዓን እዮም፣ ከመይሲ ንምድሪ ኪወርስዋ እዮም።

እቶም ንጽድቂ ዚጠምዩዋን ዚጸምእዋን ብፁዓን እዮም፣ ከመይሲ ኪጸግቡ እዮም።

እቶም ምሕረት ዚገብሩ ብፁዓን እዮም፣ ከመይሲ ምሕረት ኪረኽቡ እዮም።

እቶም ንጹሓን ልቢ ብፁዓን እዮም፣ ከመይሲ ንእግዚኣብሔር ኪርእይዎ እዮም።

እቶም ገበርቲ ሰላም ብፁዓን እዮም፣ ከመይሲ ውሉድ እግዚኣብሔር ኪበሃሉ እዮም።

እቶም ምእንቲ ጽድቂ ዚስደዱ ብፁዓን እዮም፣ ከመይሲ መንግሥተ ሰማይ ናታቶም እያ።

በኣይ ምኽንያት እንተጸረፉኹምን እንተሳደዱኹምን፣ ኵሉ ክፉእ ዘበለ ብሓሶት እንተተዛረቡልኩምን፣ ብፁዓን ኢኹም፤ ኣብ ሰማያት ዓስብኹም ብዙሕ እዩ'ሞ ተሓጐሱ፣ ደስ'ውን ይበልኩም[12]።

1717 እዚ ቃላት ብፅዓን፡ ኣተና-ኢየሱስ ከመይ ከምዝነበረ ዜርእን፣ ነቲ ፍቕሩን ሠናይ ግብሩን ሥኢሉ ዜቕርብን እዩ። ምስ ናይ ሥቓያቱን ሞቱን ትንሣኤኡን ክብሪ ንዘተኣሳሰረ ጸዋዕታ ምእመናን ዚገልጽ እዩ። ናይ ሕይወት-ክርስትና ፍሉይ ዓይነተይና መግለጺ ንዝኾነ ተግባራትን ኣቀራርባን ኣጸቢቑ የብርሆ። ኣብ መንጎ ጸበባ ኮይንካ፣ ተስፋ ከተደልድል ስለ እትሕተት፣ ንሓድሕዱ ዚገራጮ ተስፋታት ዝሓዘለ ይመስል። ንተኸተልቲ ክርስቶስ ዝተረጋገጸሎም በረኸትን ሽልማትን፣ ወላ'ኳ ዘይብሩህ እንተኾነ ከበሥርዎ ይርከቡ። ነዚ ከኣ ኣብ ሕይወት ድንግል ማርያምን ቅዱሳንን ጀሚሮምዎ ይርከቡ። 459 1820

## II. ባህጊ ታሕጓስ

1718 እዚ ትምህርቲ-ብፅዓን፡ ኣብ ባሕርይና ንዘሎ ናይ ታሕጓስ ባህግን 27
ሃረርታን ምላሽ ዚህብ እዩ። እዚ ሃረርታ'ዚ መንቀሊኡ ካብ ኣምላኽ እዩ፣ ንልቡ 1024
ኪመልኣሉ ናብ ዚኽእል ናብ'ቲ ኡንኮ ምእንቲ ኪስሕቦ ኢሉ፣ ኣምላኽ ነዚ ሃረርታ'ዚ ኣብ ልቢ-ወድሰብ ሰኺዮ፡-

> ኵልና ብታሕጓስ ክንነብር ንብህግ። ኣብ መላእ ዓሌትሰብ ከኣ ነዚ ብሂል'ዚ ዘይቅበል የልቦን፤ ብሥርዓት ከይተመዝገበ ከሎ'ውን ቅቡል እዩ።[13]

> ከመይ ደኣ እዩ፡ ኦጐይታይ፡ ሃሰስ ዝብለካ ዘሎኹ? ኦኣምላኸይ! ነኣኻ ክደሊ ከሎኹ ሕጉስ ሕይወት እደሊ ከምዘሎኹ ይፍለጠኒ፤ እሞ ግዙፍ ሥጋይ ካብ ነፍሰይ ሕይወት ስለዚረክብ፣ ነፍሰይ ከኣ ካባኻ ሕይወት ስለእትቕበልስ፣ ነፍሰይ ብሕይወት ምእንቲ ክትነብር፡ ነኣኻ ከምዝደሊ ከምዘናዲ ይኹን።[14] 2541

> ኣምላኽ ንብሕቱ ኣኻሊ እዩ።[15]

1719 እቲ ቃላት ብፅዓን፡ ነቲ ዕላማ ሰብኣዊት ሕይወትን፣ ናይ ሰብኣዊ ተግባራት መወዳእታ ፍጻሜን ይገልጽ፦ ኣምላኽ ናብ'ቲ ብፅዕናኡ ይጽውዓና። እዚ ጸዋዕታ'ዚ ኸኣ ናብ ነፍስወከፍ ሰብ በብውልቁ ዝመጽእ እዩ፤ ከምኡ'ውን ነቲ ቃል-ተስፋ ብዝተቐበለን፣ በዚ ጸዋዕታ'ዚ ብእምነት ብዚነብርን ሓዲስ ሕዝቢ ንዝቖመት ቤተክርስትያን ብመላእ ዚቐርበላ ዘሎ ጸዋዕታ እዩ። 1950

---

[12] ማቴ 5፡3-12
[13] ቅ.ኣጐስጢኖስ De moribus eccl. 1, 3, 4፡ PL 32,1312
[14] ቅ.ኣጐስጢኖስ Conf. 10, 20፡ PL 32, 791.
[15] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ Expos. in symb. apost. I.

# III. ክርስትያናዊ ብፅዕነት

**1720** እዚ እግዚኣብሔር ንሰብ ዚጽወዓሉ ዘሎ መደብ ብፅዕነት፣ ባሕርያቱን
1027 እንታይነቱን ንምግላጽ፣ ሓዲስ ኪዳን ብዙሕ ገላጺ ብሂላት ይጥቀም፦

- ምጽኣት መንግሥቲ-ኣምላኽ[16]፣
- ንእግዚኣብሔር ምርኣይ፤ "እቶም ንጹሓት ልቢ ብፁዓን እዮም፣ ከመይሲ ንእግዚኣብሔር ኪርእይዎ እዮም[17]፣
- ናብ ታሕጓስ-ጐይታ ምእታው[18]፣
- ናብ ዕረፍቲ-ኣምላኽ ምእታው[19]፣

> ኣብኡ ከዕርፍን ክንርእን ኢና፣ ክንርእን ከነፍቅርን ኢና፣ ከነፍቅርን ክንውድስን ኢና። ኣብ'ቲ ደረት ዘይብሉ መወዳእታ እንታይ ከምዚኸውን ኣስተውዕሉ። ኣብ'ቲ መወዳእታ ጫፍ ዘይብሉ መንግሥቲ-እግዚኣብሔር ምብጻሕ እንተዘይኮይኑ፣ ካልእ ከመይ ዝበለ መወዳእታ ዕላማዶ ኣሎና እዩ?[20]

**1721** ምእንቲ ክንፈልጦ፡ ከነፍቅሮ ከነገልግሎ፣ ስለ'ዚ ከኣ መንግሥተ
260 ሰማይ ምእንቲ ክንኣቱ ኢሉ፡ ኣምላኽ ኣብ'ዚ ዓለም'ዚ ኣቐመጠና። እቲ ቃላት-ብፅዓን እምበኣር "ናይ'ቲ መለኮታዊ ኩነትን (ባሕርይ) ዘለዓለማዊ ሕይወትን ተሳተፍቲ" ይገብረና።[21] በዚ ናይ ትምህርቲ ብፅዓን መደብ፣ ወድሰብ ናብ ክብሪ-ክርስቶስን[22] ናብ ናይ ቅድስት ሥላሴ ሕይወት-ታሕጓስን የኣቱ።

**1722** ከም'ዚ ዝበለ ብፅዓን ልዕሊ ዝኾነ ሰብኣዊ ርድኢትን ክእለትን እዩ።
1028 ብምሉኡ ናጻ ካብ ዝኾነ ህያብ-ኣምላኽ ዚመጽእ እዩ። ስለ'ዚ ከኣ መልዕልተ-ባሕርይ ይስመ፣ ከመይ'ሲ ንወድሰብ ናብ'ቲ መለኮታዊ ታሕጓስ ንምእታው ዜሰናድዎ ጸጋ ምዃኑ እዩ፦

294
> "እቶም ንጹሓት ልቢ ብፁዓን እዮም፣ ከመይሲ ንእግዚኣብሔር ኪርእይዎ እዮም።" እግዚኣብሔር ዕቤቱን ኪግለጽ ዘይከኣል ግርማኡን ልዑል ስለዝኾነ፣ "ሰብ ነኣይ ርእዩ ኪነብር ዚኽእል ስለዘይኮነ"፣ እግዚኣብሔር-ኣቦ ኪጭበጥ፣ በኣእምሮ ኪብጻሕ ከምዘይከኣል ሓቂ እዩ። እንተኾነ፡ ሳላ'ቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሌና ዘርኣዮ ፍቕሩን ኂሩቱን፡ ኩሉ ነገር ኪገብር'ውን ስለዚኽእል፣ ነቶም ዘፍቅርዎ ንኺርእይዎ ዕድልን ሓለፋን ክሳብ ምሃብ ዚበጽሕ...እዩ። "ንሰባት ዘይከኣሎም፡ ኣብ እግዚኣብሔር ዚከኣል እዩ"።[23]

---

[16] ማቴ 4፡17 ረአ
[17] ማቴ 5፡8፣1 ዮሓ 2፡1 1 ቆሮ 13፡12 ረአ
[18] ማቴ 25፡21 - 23
[19] ዕብ 4፡7-11 ረአ
[20] ቅ.ኣጐስጢኖስ De civ. Dei 22, 30, 5፡ Pl 41,804.
[21] 2 ጴጥ 1፡4፣ዮሓ 17፡3 ረአ
[22] ሮሜ 8፡18 ረአ
[23] ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres. 4, 20, 5፡ PG 7/1, 1034-1035.

1723 እዚ ብተስፋ ዝተዋህበና ቃልብፅዓን፡ ምስ'ቲ ወሳኒ ዝኾነ ሞራላዊ 2519
ምርጫን ውሳኔን ዘጠማምተና እዩ። ልባትና ካብ ዝኾነ ክፉእ ድፍኢትን 227
ስምዒትን ብምንጻሕ፣ ልዕሊ ኹሉ ፍቕሪ-ኣምላኽ ከነናዲ ይዕድመና። ኡነተይና ታሕጓስ፡ ኣብ ሃብትን ጣዕምን ምቾትን፣ ኣብ ሰብኣዊ ዝናን ሥልጣንን፣ ወይ ከኣ ኣብ ዝኾነ ሰብኣዊ ዓወትን ስላጤትን፣ ጠቓምን ዜርብሕን'ውን ይኹን፣ ኣብ ሳይንስን (ስነፍልጠት) ስነኪነትን (ቴክኖሎጂ) ጥበባትን (ኣርት)፣ ብርግጽ'ውን ኣብ ዝኾነ ፍጥረት ኪርከብ ከምዘይከኣል፣ ኣብ'ቲ ምንጪ-ኹሉ ሠናይን፣ መሠረት ኵሉ ፍቕርን ዝኾነ እግዚኣብሔር ጥራሕ ከምዚርከብ ይምህረና፦

> ኵሎም ንሃብቲ የምልኹ ኣለዉ። ብዝሒ ዘለዎም ሰባት ብገርሂ ዚሰግድሉን ክብሪ ዚህብዎን ሃብቲ ኮይኑ ኣሎ። ንታሕጓስ ብሃብቲ ይመዝንዎ፣ ብሃብቲ ከኣ ንኽብረት ይመዝንዎ፣ ....እዚ ኣኽብሮ ሃብቲ ....ብሃብቲ ኵሉ ነገር ምፍጻም ይከኣል ካብ ዚብል ዓሚቕ እምነት ዝፈልፈለ እዩ። ሃብቲ ናይ እዋኑ ዝለዓለ ጣዖት እንኪኸውን፣ ካልኣዩ ድማ ዝና እዩ፣... ዝና ወይ ከኣ ኣብ ዓለም ብዚግበር ዓውዓውታ...ናይ ጋዜጣታት ዝና ኪበሃል ዚከኣል እዚ ኹሉ ንርእሱ ከም ሓደ ዓቢይ ቊምነገር ኪግመትን፡ ከም ናይ ክብሪ መሠረት ኪሕሰብን ይርከብ"[24]።

1724 ዓሠርተ ትእዛዛት፣ ኣንቀጸ-ብፅዓን፣ ከምኡ'ውን ናይ ሓዋርያት መደብ ትምህርቲ፡ እዚ ኹሉ ናብ መንግሥተ ሰማያት ዚወስድ መንገዲ ይገልጸልና። ብጸጋ-መንፈስ ቅዱስ ተደጊፍና፡ በቲ ዕለታዊ ተግባራትና በብስጒሚ እንበጽሖ እዩ። ቃል-ክርስቶስ ኣባና ብዚፍጽሞ ስራሕ፣ በብቑሩብ፡ ንኽብሪ-ኣምላኽ ዚበቅዕ ፍረ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ከነፍሪ ንርከብ።[25]

## ብሓጺር

1725 ትምህርቲ ብፅዓን፡ ነቲ ካብ ኣብርሃም ጀሚሩ ዝተዋህበ ተስፋታት ተፍጻሜት ዚህብን፣ ናብ መንግሥተ ሰማይ ገጹ ዚሠርዕን እዩ። ኣምላኽ ኣብ ሰብኣዊ ልቢ ንዝሰኹዖ ሃረርታ-ታሕጓስ ምላሽ ዚህብ እዩ።

1726 እዚ ትምህርቲ ብፅዓን፣ እግዚኣብሔር ናብኡ ዝጸወዓና ብዛዕባ'ቲ ናይ መወዳእታ ዕላማና ይምህረና፦ መንግሥተ ሰማያት፣ ንኣምላኽ ምርኣይ፣ ኣብ መለኮታዊ ሕይወት ምስታፍ፣ ዘለዓለማዊ ሕይወት ፣ ውሉድነት-ኣምላኽ፣ ኣብ ኣምላኽ ዚርከብ ዕረፍቲ።

---

[24] ካርዲናል ሄንሪ ኒዩማን "Saintliness the Standard of Christian Principle," in Discourses to Mixed Congregations (London፡ Longmans, Green and Co., 1906) V, 89-90.

[25] ምሳሌ ዘርኢ ዘራኢ፡ ማቴ 13፡3-23 ረአ

**1727** *እቲ ናይ ዘለዓለማዊ ሕይወት ቃልብፅዓን ካብ ኣምላኽ ብኸምኡ ዝተዋህበ ጸጋ እዩ። ልክዕ ከምቲ ናብኡ ዚመርሕ ጸጋ መልዕልተ -ባሕርያዊ እዩ፣*

**1728** *ብመንፅር ምድራዊ ነገራት፡ ወሳኒ ዝኾነ ምርጫን ውሳኔን ክንገብር እዚ ትምህርቲ ብፅዓን ይድርኸና። ልዕሊ ኹሉ ንኣምላኽ ምፍቃር ምእንቲ ኪምህረና ንልባትና ከንጽሖ ይርከብ።*

**1729** *እቲ ናይ መንግሥተ ሰማያት ቃልብፅዓን ብሕጊ-ኣምላኽ ተመሪሕካ ብምድራዊ ነገራት ንምጥቃም ናይ ሜማን ምስትውዓልን መምርሒ ይህብ።*

---

## ኣንቀጽ 3
# ናጽነት ደቂ ሰብ

**1730** ኣምላኽ ንሰብ ለባዊ ፍጡር ገቢሩ ፈጠሮ፤ ንተግባራቱ ባዕሉ ከበግሶን
30 ከንቀሳቕሶን፡ ኪቈጻጸርን ዚኽእል፣ ክብርን ግርማን ዝለበሰ ገበሮ። ብናቱ ሥምረትን ድልየትን፡ ንፈጣሪኡ ምእንቲ ክናዲ፣ ኣብኡ ጠቢቑ’ውን ነቲ ምሉእን ብፁዓውን ፍጽምና ብናጻ ምእንቲ ኪጭብጥ፣ “ሰብ ብናይ ባዕሉ ምኽርን ሓሳብን ኪካየድ” ኣምላኽ ናጻ ሓደጎ።[26]

> ሰብ ለባዊ (በዓል ኣእምሮ) እዩ፣ ስለ’ዚ ከኣ ንኣምላኽ ዚመስል እዩ። ናጻ ድላይ ለቢሱ ዝተፈጥረ፣ ምእንት’ዚ ኸኣ ናይ ተግባራቱ ዋና እዩ።[27]

## I. ናጽነትን ተሓታትነትን (ኃላፍነትን)

**1731** ናጽነት ኪበሃል ከሎ፣ ኣብ ኣእምሮን ድላይን ዝተመሥረተ፣ ሓደ
1721 ነገር ክትገብር ወይ ንኽይትገብር፣ ነዚ ወይ ነቲ ንኽትገብር፣ ምእንት’ዚ ከኣ ብናትካ ኃላፍነት፡ ኮነ ኢልካ ኣብ ዚፍጸም ተግባራት ዚረአ ክእለት እዩ። ሰብኣዊ ናጽነት ድማ ብሓቅን ብቕንዕናን ንዚርከብ ዕቤትን ብስለትን ዚሕግዝ ኃይሊ ወይ ክእለት እዩ፤ ፍጽምናኡ ዚጭብጥ ከኣ ናብ’ቲ ብፅዕናና (ታሕጓስና) ዝኾነ ኣምላኽ ገጹ ምስ ኣቕነዐ እዩ።

**1732** ናጽነት፡ ወሳኒ ብዝኾነ ኣገባብ ምስ’ቲ መወዳእታ ቊምነገሩ ዝኾነ
396:1849 እግዚኣብሔር ክሳብ ዘይተወሃሃደ፣ ኣብ መንጎ (ጽቡቕን) ሠናይን ክፉእን
2006 ምምራጽ ዚከኣል ይኸውን፣ ስለ’ዚ ኸኣ ብፍጽምና ክትዓቢ፣ወይ ከኣ ክትወድቕን

---

[26] ፍሥሓን ተስፋን GS 17፣ሢራ 15፡14
[27] ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres. 4, 4, 3፡ PG 7/1, 983.

ክትኃጥእን ትኽእል ማለት እዩ። እዚ ናጽነት'ዚ እዩ እምበኣር ንሰብኣዊ ተግባራት ፍሉይን ዓይነተይናን ጠባይ ዜሕድረሉ። ናይ ናእዳን ወቐሳን፡ ናይ ሞያን ውርደትን መሠረት ከኣ ይኸውን።

**1733** ሓደ ሰብ ሕልፊ ሠናይ ወይ ጽቡቕ ብዝገበረ መጠን፣ መጠኑ ከኣ ሕልፊ ናጻ ይኸውን። ኣብ ኣገልግሎት-ሠናይን ቅኑዕን ዘበለ ዚውዕል እንተ ዘይኮይኑ፡ ሓቀይና ናጽነት የልቦን። ንኸይትእዘዝን፣ ክፉኣት ንኽትፍጽምን ዚግበር ምርጫ፣ ብናጽነትካ ምውርጻጽ (abuse) ወይ ምልጋጽ እዩ፣ ናብ "ባርነት-ኃጢኣት"[28] ከኣ ይወስድ። 1803

**1734** ሓደ ሰብ ብድልየቱ ብዝፈጸሞ ተግባራቱ ተሓታቲ ዚገብሮ ናጽነት እዩ። ብመንፈሳዊ ኃይላት ምምሕያሽ ብዘርኣየ፣ ነቲ ቅኑዕን ሠናይን ንመንፈሳዊ ገድልን ብዝፈለጠ መጠን፡ ድላዩ ኣብ ልዕሊ ተግባራቱ ዘርእዮ ምቍጽጻር እናደልደለ ይኸይድ። 1036
1804

**1735** ብዝተፈጸመ ተግባር ንዚለዓል ተሓታትነትን ተኸሳስነትን፡ ከኾድሎ ወይ ፈጺሙ ከልግሶ ዚኽእል፣ ዘይምፍላጥ (ድንቍርና)፣ ሸለልትነት (ዘይምስትውዓል) ኣስገዳድ፣ ፍርሓት፣ ልማድ፣ ዘይሥሩዕ ርክባትን ካልእ ሥነልቦናዊ ማኅበራዊ ረቛሒታትን እዩ። 597

**1736** ብቐጥታ እሞ ብድልየት ዝተፈጸመ ተግባር ንገባሪኡ የሕትቶ(የኽስሶ)፤ 2568

ምእንት'ዚ ከኣ፡ ድሕር'ቲ ኣብ ገነት ዝተፈጸመ ኃጢኣት፣ እግዚኣብሔር ንሔዋን ሓተታ፤ ስለምንታይ ደኣ ነዚ ገበርኪ?[29] ንቃኤል'ውን ተመሳሳሊ ሕቶ ኣቕረበሉ[30]። ነቢይ ናታን'ውን እንተኾነ ዳዊት ምስ ሰበይቲ ኦርዮ ዝሙት ምስፈጸመን፣ ተመሊሱ ንኦርዮ ምስ ኣቕተሎን፣ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኪሓቶ ተረኽበ።[31]

ሓደ ነገር፡ ክትፈልጦን ክትገብሮን ዚግበኣካ ክነሱ፡ ብሸለልትነትካ ኪዘናበል ከሎ፣ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ብድልየትካ ከምዝፈጸምካዮ ይቝጸር፡- ንኣብነት ናይ ጽርግያ ሕጊ-ትራፊክ ሸለል ብምባል ዚወርድ ሓደጋ።

**1737** ገባሪኡ ከይደለዮ ከሎ፡ ናይ ሓደ ተግባር ውጽኢት ኮይኑ ኪሕለፍ ዚከኣል ኣሎ፤ ንኣብነት፣ ሕሙም ሕፃና ንእትከናኸን ኣደ ዚወርዳ ምድካምን ሃለዋት ምጥፋእን የጓንፍ እዩ። ናይ ሓደ ተግባር ሕማቕ (ክፉእ) ውጽኢት፣ ከም ናይ'ቲ ተግባር ዕላማ ወይ መጋበሪ ዘይተደልየ እንተደኣኮይኑ፣ ዘሕትት ወይ ዘኽስስ ኣይኮነን፡- ኣብነት፣ ኣብ ሓደጋ ንዚርከብ ሰብ ከናግፍ ኪብል ዚመውት ሰብ። ናይ ሓደ ተግባር ሳዕቤን ዘሕትት ንኪኸውን፣ ኣቐዲሙ ዝተገመተ፣ እቲ 2263

[28] ሮሜ 6፡17 ረአ
[29] ዘፍ 3፡13
[30] ዘፍ 4፡10 ረአ
[31] 2 ሳሙ 12፡7-15 ረአ

ፈጻሚኡ'ውን ንከልግሶ ዕድልን ክእለትን ዝነበሮ ኪኸውን የድሊ። ሰኽራም (መራሕ) ዘዋራይ መኪና ዚፍጽሞ ቅትለት ሓደ ኣብነት እዩ።

**1738** ናጽነት ኣብ ግብሪ ዚውዕል፡ ኣብ መንጎ ደቅሰባት ኣብ ዚፍጸም
2106 ርክባት እዩ። ነፍስወከፍ ሰብ (ውልቀሰብ) ብኣምሳል-ኣምላኽ ዝተፈጥረ ኮይኑ፣
2109 ከም መጠን ናጻን በዓል ኃላፍነትን ኪፍለጥ (ኪኽበር)፣ ባሕርያዊ መሰል ኣለዎ።
ሓድሕዳዊ ናይ ምክብባር ግዴታ ኵሎም ንኹሎም ዚፍጽምዎ እዩ። ንመደብ-
ናጽነት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዘሎ መሰል፣ ብፍላይ እቲ ንሞራልን (ሥነ-
ምግባርን) መንፈሳዊ (ሃይማኖታዊ) ነገራትን ዚርኢ፣ ንሰብኣዊ ክብረ-ግርማ
ዜድሊ፣ ዘይገሃስ መሰል እዩ። ብመንፅር'ቲ ናይ ሓባራዊ ረብሓን ሕዝባዊ
ሥርዓትን ደረታት፣ እዚ መሰል'ዚ ብሲቪል ሰበሥልጣን፡ ብዚግባእ ተፈላጥነት
ኪረክብን ኪሕሎን ይግባእ።[32]

## II. ሰብኣዊ ናጽነት፡ ኣብ ሥነምጋቤ ድኅነት

**1739** *ናጽነትን ኃጢኣትን።* ናይ ደቂሰብ ናጽነት ድሩትን ኪጋገ ዚኽእልን
387 እዩ። ብግብሪ'ውን ሰብ ወዲቑ (ስሒቱ) እዩ። ብናጻ ድልየቱ ኃጢኡ እዩ።
401 ንፍቕሪ-ኣምላኽ ብምንጻግ፣ ርእሱ ኣታሊሉ፡ ባርያ(ግዙእ) ኃጢኣት ኮነ። እዛ
ፈለማ ስሕተት፣ ንዝበዝሐ ካልእ ስሕተታት ኣፈልፈለት። ካብ መበገሲኡ
ኣትሒዙ ከኣ ታሪኽ-ደቅሰብ፡ ካብ'ዚ ምውርጻጽ ናጽነት ዝመጽአ፣ ካብ ልቢ-
ሰባት ናይ ዝተወልደ ውርደትን ግፍዕን ምስክር ኮይኑ ይርከብ።

**1740** *ንናጽነት ዚጻባእ ኵነታት።* መሰል ናጽነት ኣብ ግብሪ ምውዓል
2108 ማለት፣ ንኹሉ ነገር ንምባልን ንምግባርን መሰል ይህበካ ማለት ኣይኮነን።
1887 "ናይ'ዚ ናጽነት'ዚ ዋና" ዝኾነ ሰብ፣ "ምሉእ ብምሉእ ርእሱ ዝኽኣለ፣ዕላማኡ
ከኣ፡ ብምድራዊ ነገራት እናተጠቕመ፣ ናይ ውልቁ ረብሓ ከዕግብ ዝተበገሠ
ውልቀሰብ እዩ"[33]፣ ምባል ግጉይ ኣተሓሳስባ እዩ። ብተወሳኺ'ውን ንቕኑዕን
ፍትሓውን ኣጠቓቕማ ናጽነት ዜድሊ ኤኮኖሚያዊ፡ ማኅበራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ባህላዊ
ሕንጸተሰባዊ ኵነታት መብዝሕትኡ ግዜ ተናዒቑን፡ ተጣሒሱን ይረአ። እዚ
ከም'ዚ ዝበለ ዕዉርን ዘይፍትሓውን ኵነታት፡ ነቲ ሞራላዊ ሕይወት ኣቓሲሉ፣
ንኃያላት ኮነ ንድኹማት ተጻይ-ፍቕሪ ኃጢኣት ንኺፍጽሙ ኪፈታተኖም
ይርከብ። ወድሰብ ካብ'ቲ ሞራላዊ ሕጊ ብምዝንባል ኣብ ልዕሊ'ታ ናጽነቱ
ብቐንዳ ዓመጽ ይፍጽም፤ ባዕሉ ናይ ባዕሉ እሱር (ሕቡስ) ይኸውን፤ ጕርብትናዊ
ብጻይነትን ኅብረትን የበላሹ፣ ተጻይ መለኮታዊ ሓቂ ከኣ ኪለዓል ይርከብ።

**1741** *ሓርነትን፡ ድኅነትን።* ግርማ ብዝተኸለለ መስቀሉ፣ ክርስቶስ ንደቅሰብ
782 ድኅነት ኣምጺኡሎም። ባሮቱ ገቢርዎም ካብ ዝነበረ ኃጢኣት ተበጂዉ

---

[32] ክብሪ-ሰብ DH 2 § 7 ረአ
[33] ክፍሊ ትምህርተ ሃይማኖት CDF, instruction, Libertatis conscientia 13

ኣድሒንዎም።" ብሓርነት ምእንቲ ክንነብር፡ ክርስቶስ ሓራ ኣውጺኡና እዩ"[34] ኣብኡ ድማ ምስ'ታ "ሓራ እተውጸኣና ሓቂ"[35] ሱታፌ ረኺብና ኣሎና። መንፈስ ቅዱስ ተዋሂቡና እዩ፣ ሓዋርያ ከምዚምህሮ ድማ፣ "መንፈስ-ጐይታ ኣብ ዘለዎ፣ ኣብኡ ናጽነት ኣሎ"[36]። ድሮ'ውን በቲ "ሓርነት ደቂ-ኣምላኽ"[37] ከቢርና ኢና።

1742 *ናጽነትን ጸጋን።* እዚ ናጽነት'ዚ ኣምላኽ ኣብ ልቢ-ደቅሰብ ምስ ዝሰኾዖ ናይ ሓቅን ናይ ሠናይን ስምዒትን ርድኢትን ተሰማሚዑ ኪርከብ ከሎ፣ ጸጋ-ክርስቶስ በቲ ዝደቀቐ'ውን፡ ተጻይ ናጽነትና ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። እኳደኣ ብተጻዩ፡ ክርስትያናዊ ተመክሮን ትዕዝብትን ከምዚምስክሮ፣ ብፍላይ ኣብ ጸሎት፣ ንሕሹ'ኽታ ጸጋ ብልስሉስን ለጋስን መንፈስ ብዝተቐበልናዮ መጠን፣ ካብ ዓለም ዚመጽእ ድፍኢትን ዕንቅፋትን ብዝበዝሓሉ፡ እዋን ፈተና፣ ብውሽጣዊ ዓሚቕ ናጽነትን እምነትን ክንዓቢ ንርከብ። ኣብ ቤተክርስትያንን ኣብ ዓለምን ኣብ ዚፍጸም ስራሓቱ፣ ናጻ ተሓባበርቱ ምእንቲ ኺገብረና፣ ብስራሕ ጸጋ ገቢሩ መንፈስ ቅዱስ ኣብ መንፈሳዊ ናጽነት ይኹስኵሰና፡ 2002 1784

> ክሃሌኵሉን መሓርን ዝኾንካ ኣምላኽ፣ ብመንፈስን ብሥጋን ስንድዋት ብምዃን ፍቓድካ ብናጻ ምፍጻም ምእንቲ ክንክእል፣ ብሕያውነትካ ነቲ ኵሉ ኣባና ዘሎ ጕዳኢ ኣልግሰልና።[38]

---

## ብሓጺሩ

1743 ወድሰብ ብመደቡ ንፈጣሪኡ ምእንቲ ክናድን፣ ናብኡ ብምጥባ'ቕ እውን ነቲ ምሉእን ብፁዓውን ፍጽምናኡ ምእንቲ ኪረክብን፡ (ፍሥሓን ተስፋን GS 17 § 1)፣ "ብናይ ባዕሉ ምኽርን ሓሳብን ኪካየድ፡ ኣምላኽ ናጻ ሓደጎ" (ሢራ.15፡14 ረእ)።

1744 ናጽነት ማለት፡ ገለ ንምግባርን ዘይምግባርን፣ ስለ'ዚ ከኣ ናይ ባዕል'ኻ፣ ኮነ ኢልካ እትገብሮ ነገር ንምፍጻም ዚሕግዝ ክእለት እዩ። ናጽነት ኣብ ተግባራቱ ፍጽምና ዚጭብጥ፣ ናብ'ቲ ዝለዓለ ሠናይ ዝኾነ ኣምላኽ ገጹ ምስዜተኵር እዩ።

1745 ናጽነት ናይ ሰብኣዊ ተግባራት ዓይነተይና መለለዩ እዩ። ንሓደ ሰብ እቲ ብድላዩ ዝፈጸሞ ተግባር ተሓታቲ ይገብሮ። እቲ ኮነ ኢሉ ብድላዩ ዝፈጸሞ ተግባር ናቱ እዩ።

---

[34] ገላ 5፡1
[35] ዮሓ 8፡32 ረእ
[36] 2 ቆሮ 17
[37] ሮሜ 8፡21
[38] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ 32nd Sunday, Opening Prayer፡ Omnipotens et misericors Deus, universa nobis adversantia propitiatus exclude, ut, mente et corpore pariter expediti,quæ tua sunt liberis mentibus exsequamur.

**1746** ብሓደ ተግባር ዚመጽእ ተኸሳስነትን ተሓታትነትን፡ ኪጒድል ወይ ፈጺሙ ኪድምሰስ ዚኽእል፣ ዘይምፍላጥ (ድንቍርና)፣ ኣስገዳድ፡ ፍርሓት፣ ካልእ ስነልቦናውን ማኅበራውን ጸቕጥን ረቛሒታትን እንኪህሉ እዩ።

**1747** ናጽነትካ ኣብ ግብሪ ናይ ምውዓሉ መሰል፡ ብፍላይ ንሞራላውን (ሥነምግባር) መንፈሳውን (ሃይማኖታውን) ጕዳያት ዚርኢ፡ ንሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ኣድላዪ ዝኾነ ዘይገሃስ መሰል እዩ። እንተኾነ ናጽነት ምጥቃም ማለት ኵሉ ነገር ናይ ምባልን ምግባርን መሰል ኣየስምዕን እዩ።

**1748** "ብሓርነት ምእንቲ ክንነብር፣ ክርስቶስ ሓራ ኣውጺኡና እዩ" (ገላ.5፡1)።

---

## ኣንቀጽ 4
## ናይ ሰብኣዊ ተግባራት ሞራላውነት

**1749** ናጽነት ንሰብ ናይ ሞራል በዓልቤት(ዋና) ትገብሮ። ሓደ ሰብ
1732 ብድልየትን ብፍልጠትን ኪገብር እንከሎ፣ ናይ'ዚ ተግባራቱ ኣቦ ወይ ዋና እዩ። ሰብኣዊ ተግባራት፡ ማለት፡ ከም ናይ ፍርዲ-ኅሊና ውጽኢት ኮይኑ ብናጻ ዝተመርጸ ተግባራት፡ ብሞራላዊ መንገዲ ኪግምገም (ኪፍረድ) ይከኣል፡ ወይ ጽቡቕ እዩ ወይ ከኣ ክፉእ እዩ።

## I. ናይ ሞራል ምንጭታት

**1750** ናይ ሰብኣዊ ተግባራት ሞራላውነት ኣብዚ ዚስዕብ ይምሥረት፡

- እቲ ዝተመርጸ ነገር፣
- እቲ ብማዕዶ ዚረኣ ዕላማ ወይ መደብ፣
- ናይ'ቲ ተግባር ሃለዋትን ኵነታትን፣

እቲ ነገርን፡ እቲ ዕላማን ኵነታቱን ኵሉ፣ ናይ ሰብኣዊ ተግባራት ሞራላውነቱ "ምንጪ" ወይ ከኣ ዜቕውሞ ነገራት ኪበሃል ይከኣል።

**1751** እቲ ዝተመርጸ ነገር፣ ድላይ-ሰብ ኮነ ኢሉ ዘተኰረሉ ሠናይ ወይ
1794 ጽቡቕ እዩ። ናይ'ቲ ሰብኣዊ ተግባር ትሑዝ ወይ ጭቡጥ ነገር እዩ። እቲ ተግባር ምስ'ቲ በሓቂ ቅኑዕን ሠናይን ዘበለ ዚሳነ ምዃኑን ዘይምዃኑን ዚፈርድን ዚቕበልን ኣእምሮ (ልቦና) ከም ምዃኑ መጠን፣ እቲ ብሞራላዊ መንገዲ ዝተመርጸ

ነገር፡ ነቲ ናይ ድላይ ተግባር እንታይነቱ ይውስነሉ። እቲ ናይ ሞራል ሕግታት ብቐንዱ፣ ነቲ ብኅሊና ዚመሳኸር ናይ ጽቡቕን ክፉእን ለባዊ ሥርዓት ዚገልጽን ዘረጋግጽን እዩ።

**1752** ብኣንጻር'ቲ ዝተመርጸ ነገር፣ እቲ ዕላማ ወይ መደብ፣ ኣብ'ቲ ገባሪ 2520
ወይ ዋና ዝኾነ ኣካል ኣሎ። ኣብ'ቲ ድላይ ዚንቀሳቐሰሉ ምንጪ ተግባራት 1731
ስለዚርከብን፣ ተመሊሱ ድማ ነኣኡ በቲ መወዳእታ ዕላማኡ ስለዚጸልዎን፣ እቲ
ዕላማ ወይ መደብ ዝተባህለ፡ ናይ ሓደ ተግባር ቀንዲ ሞራላዊ ሚዛን እዩ። እቲ
መወዳእታ ዕላማ፣ ናይ'ቲ መደብ ቀዳማይ ሸቶ እዩ፣ ኣብ'ቲ ተግባር
ንዝተኸተልካዮ ሓሳብ ዜመልክት ድማ እዩ። ሃቐን (ወይ መደብ) ናብ'ቲ
መወዳእታ ዕላማ ገጹ ዚግበር ናይ ድላይ ምንቅስቓስ እዩ፣ ብናይ'ቲ ተግባራት
ሸቶ ከኣ ይግደስ። ዘተኵረሉ ድማ ናብ'ቲ ቅድሚ ፍጻሜ-ተግባር ዝተኣመመ
ሠናይ ነገር እዩ። ሃቐን፡ ነቲ ውልቃዊ ተግባራት ኣብ ምምራሕ ጥራሕ
ዝተደረተ ኣይኮነን፤ ንብዙሕ ተግባራት ናብ ሓደን ተመሳሳልን ዕላማ ኪመርሕ፣
ንኣንፈት መላእ ሕይወትካ'ውን ናብ መወዳእታ ፍጻሜኡን ዕላማኡን ኣቢሉ
ከቕንዮ ይኽእል እዩ። ንኣብነት'ኳ፣ ንብጻይካ ረድኤት ንምልጋስ ዝዓለመ
ኣገልግሎት፣ ምስኡ ማዕረ ማዕረ'ውን፡ ናይ ኵሉ ተግባራትና መወዳእታ ዕላማ
ዝኾነ ብፍቕሪ-ኣምላኽ ዝተደረኸ'ውን ኪኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ሓደ
ተግባር'ውን እንተኾነ ብብዙሕ ሃቐናት ዝተንቀሳቐሰ፣ ማለት ሞገስ ንምርካብ፣
ወይ ከኣ በኣኡ ንምጅሃር ሓደ ኣገልግሎት ምፍጻም ኪኸውን ይኽእል።

**1753** ቅኑዕ ሓሳብ ወይ ሃቐን (ንኣብነት፡ ንብጻይካ ምርዳእ)፣ ብባሕሪኡ 2479
ዝንቡል ንዝኾነ ከም ሓሶት ቅጥፈት ዝበለ ኣከያይዳ ቅኑዕ ወይ ፍትሓዊ ኪገብሮ 596
ኣይክእልን። እቲ ኪብጻሕ ዘለዎ ዕላማ ነቲ መጋበሪ/መብጽሒ ቅኑዕ ኪገብሮ
ኣይክእልን እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ ንሓደ ሃገር ወይ ሕዝቢ ንምድሓን ኢልካ
ንሓደ ንጹሕ ሰብ ምቕሃናን ከም ቅኑዕ መጋበሪ ኪሕሰብ ኣይከኣልን። ብኻልእ
ወገን ድማ፣ ከም ምምጽዋት ዝበለ ብርእሱ ቅኑዕ ጽቡቕ ዝምኾነ፤ እቲ ዘበገሶ
ናይ ከንቱ ውዳሴ ዘይቅኑዕ ሓሳብ (ዕላማ) ግና ነቲ ተግባር ክፉእ ይገብሮ።[39]

**1754** ናይ'ቲ ተግባር ኵነታት፣ ሳዕቤናቱን ውጽኢቱን ከይተረፈ፡ ብካልኣይ 1735
ደረጃ ዚጥመት ናይ'ቲ ሞራላዊ ተግባር ወገን እዩ። ናይ ሰብኣዊ ተግባራት
ሞራላዊ ቅንዕናኡ ወይ ክፉኡ ዚውስኽ ወይ ዚንኪ (ንኣብነት፡ ናይ ስርቂ
መጠንን ዕቤትን) በዚ ኹነታት ማለት ሳዕቤናቱን ውጽኢቱን እዩ። ንናይ'ቲ ገባሪ
ወይ ፈጻሚ ኃላፍነት እውን (ተሓታትነት) (ሞት ብምፍራህ ገለ እንክትገብር)
ኪንክዮ ወይ ኪውስኾሉ ይርከብ። እዚ "ኵነታት" ዝተባህለ ብርእሱ ንናይ
ተግባራት ሞራላዊ ዓይነቱ ዚልውጠሉ ኣይኮነን፤ ብርእሱ ክፉእ ንዝኾነ ተግባር
ቅኑዕ ወይ ጽቡቕ ኪገብሮ ኣይክእልን።

---

[39] ማቴ 6፡2-4 ረአ

## II. ቅኑዕ ተግባራትን፣ ክፉእ ተግባራትን

**1755** ብመሠረቱ፣ ብሞራላዊ መንገዲ ቅኑዕ ተግባር ዚበሃል፣ እቲ ዚምረጽ ነገር፣ ሓሳቡ(ዕላማኡ) ከምኡ'ውን ዚፍጸመሉ ኵነታቱ ኩሉ ቅኑዕ ኪኸውን ኣለዎ። እቲ ነገር (ዚግበር) ብርእሱ ሠናይ ጽቡቕ'ኳ እንተኾነ መወዳእታ ዕላማኡ ክፉእ እንተኾይኑ የበላሽዎ፤ ("ብሰባት ምእንቲ ክትረአ ኢልካ" ምጽላይ ወይ ምጽዋም)።

እቲ ዝተመርጸ ነገር ብርእሱ ነቲ ተግባር ብመላኡ ከበላሽዎ ይኽእል። ከም ዝሙት ዝበለ ጭቡጥ ተግባር፣ ወትሩ ግዜ ኪምረጽ ከሎ ግጉይ እዩ፣ ምኽንያቱ ነዝን ንኸምዝን ምምራጽ፡ ኣብ ድላይ ዚረአ ዘይሥሩዕ ጠባይ የመልክት፣ እዚ ኸኣ ሞራላዊ ክፍኣት እዩ።

**1756** ምእንትዚ ኸኣ፡ ነቲ ዘበገሶን ዘንቀሳቐሶን ሓሳብን ዕላማን፣ ከምኡ'ውን
1789 ነቲ ዚፍጸመሉ ኵነታት (ኣከባቢ፣ ማኅበራዊ ድፍኢት፣ ኣስገዳድነት፣ ወይ ህጹጽ ኵነታት...ወዘተ) ጥራሕ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ንሰብኣዊ ተግባራት ናይ ሞራላውነቱ ፍርዲ ምሃብ ግጉይ እዩ። ኵነታትን ሓሳባትን ዕላማታትን ዘይጸልዎም፣ ብምኽንያት ኵነቶም ብባሕሪኦም ወትሩ ዓቢይ ክፍኣት ዝኾኑ ተግባራት ኣለዉ፤ ከም ቃል-ጽርፈት (Blasphemy)(ንኣምላኽን መንፈሳዊ ነገራትን ...) ቅትለት፡ ዝሙት ኪጥቀስ ይከኣል። ካብቲ ዚገብሮ ጽቡቕ ነገር ምእንቲ ኪወጽእ ኢሉ ክፉእ ነገር ኪፍጽም ዚኽእል የልቦን።

---

## ብሓጺር

**1757** እቲ ዚምረጽ ነገር፣ ሓሳቡን ዕላማኡን፣ ኵነታት-ኣፈጻጽማኡን፣ ናይ ሰብኣዊ ተግባራት ሞራላውነት ምንጪ እዩ።

**1758** እቲ ብሞራላዊ መንገዲ ዝተመርጸ ነገር፡ ጽቡቕ ወይ ክፉእ ተባሂሉ ብኣእምሮ ብዝተገምገመን ተቐባልነት ብዝረኸበን፣ ነቲ ናይ ድላይ ተግባር ኪውስነሉ ይርከብ።

**1759** ንክፉእ ተግባር ምስ'ቲ ቅኑዕ ሓሳብ (ዕላማ) ኣዛሚድካ ቅኑዕ ክትገብሮ ዘይከኣል እዩ። (ቅ.ቶማስ ኣኵናስ, Dee. Praec.6) መወዳእታ ዕላማ ድማ ነቲ መጋበሪ ኣየቕንዖን እዩ።

**1760** ሞራላዊ ቅኑዕ ተግባር፣ ብናይ'ቲ ነገር፡ ዕላማኡ ብኵነታት-ኣፈጻጽማኡን ኩሉ ብቕንዕና ዝተሰነየ ኪኸውን ይግባእ።

**1761** ምርጫኡ ወትሩ ነቲ ናይ ድላይ ምዝንባል፡ ማለት ሞራላዊ ክፍኣት ዜመልክት ስለዝኾነ፣ ኪምረጽ ከሎ ወትሩ ክፉእ ዝኾነ ጭቡጥ ተግባራት ኣሎ። ካብኡ ጽቡቕ ኪወጽእ ኢልካ ክፍኣት ኣይፍጸምን እዩ።

---

## ኣንቀጽ 5
# ናይ ስምዒታት ሞራላውነት

**1762** ወድሰብ ንብፅዕነት ዝተገበአ ዚኸውን በቲ ደልዩን ፈሊጡን (ብውሳኔ) ዚፍጽሞ ተግባራቱ እዩ፤ እቲ ኣብ ሕይወቱ ዚነብሮ ስምዒታት ወይ ዝንባሌታት እውን ናብኡ ከሰናድዎን፣ ከበርክትን ይኽእል።

## I. ስምዒታት

**1763** እዚ "ስምዒታት" ዚብል ቃል ናይ ክርስትያናዊ ውርሻ ክፍሊ እዩ። ስምዒት ወይ ዝንባሌ ኪበሃል ከሎ፣ ጽቡቕ ወይ ክፉእ ምኻኑ ዝተሰመዓና ወይ ዝተረደኣና ሓደ ተግባር፣ ንምፍጻሙ ወይ ዘይምፍጻሙ ዘሎና ስምዒታዊ ምንቅስቓስን ባህግን የስምዕ።

**1764** ስምዒታት ናይ ሰብኣዊ መንፈስ ባሕርያዊ ወገናት እዩ። ኣብ መንጎ'ቲ ናይ ሕዋሳትና ንብረትን፡ ናይ ኣእምሮና (መንፈስና) ሕይወትን ዘሎ መሰጋገሪ ዜቕውምን፡ ነቲ ምትእስሳርን ርክብን ዘረጋግጽን እዩ። ጐይታና ድማ ንልቢ-ወድሰብ፣ ስምዒታት ዘፈልፍል ምንጪ ኪብል ይሰምዮ።[40] 368

**1765** ብዙሕ ዝዓይነቱ ስምዒታት ኣሎ። እቲ ቀንድን መሠረታውን ዝኾነ፡ ብጽቡቕ ተሳሒቡ ዚለዓዓል ስምዒት ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ነቲ ዘይብልካ ጽቡቕ ነገር ከምትብህግ፣ ንኽትረኽቦ ከኣ ከምትትስፎ ይገብረካ፤ እዚ ስምዒታዊ ምንቅስቓስ'ዚ ፍጻሜኡ ዚረክብ ብዝጨበጥካዮ ሠናይ (ጽቡቕ) ነገር ክትሕጐስን ባህ ኪብለካን ከሎ እዩ። ብዛዕባ ክፍኣት ምጭናቕ ወይ ምስጋእ፣ ቂምታን ጽልእን ናይ'ቲ ኣዝቢኡ ዘሎ ክፉእ ነገር ፍርሕን የሕድረልካ።እዚ ምንቅስቓስ'ዚ ድማ መወዳእታኡ በቲ ዝወረደ ክፉእ ነገር ጓህን ሓዘንን፣ ወይ ከኣ ነኣኡ ንምቅዋም ወይ ንምንጻግ ቍጥዓ እዩ።

**1766** "ምፍቃር ማለት ናይ'ቲ ካልእ ወገን ሠናዩ ምድላይ ማለት እዩ"[41]፤ ኵሉ ኻልእ ናይ ፍቕሪ ዝንባሌን ስምዒትን፡ ምንጩ ኣብ'ዚ ናብ ሠናይ ገጽካ ዚግበር ናይ ሰብኣዊ ልቢ ፈለማ ምንቅስቓስ እዩ ዚርከብ። እቲ ሠናይ ወይ ጽቡቕ ጥራሕ ኪፍቀር ይከኣል[42]። "እቲ ፍቕሪ ክፉእ እንተኾይኑ፣ እቲ ስምዒታት ክፉእ እዩ፣ እቲ ፍቕሪ ጽቡቕ እንተኾይኑ ከኣ እቲ ስምዒታት'ውን ጽቡቕ እዩ"።[43] 1704

---

[40] ማር 7፡21 ረአ
[41] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh I-II, 26, 4, corp. art
[42] ቅ.ኣጐስጢኖስ De Trin., 8, 3, 4፡ PL 42, 949-950 ረአ
[43] ቅ.ኣጐስጢኖስ De civ. Dei 14, 7, 2፡ PL 41, 410

## II. ስምዒታትን፡ ሞራላዊ ሕይወትን

**1767** ስምዒታት ብርእሱ ክትርእዮ ከሎ'ኻ፡ ጽቡ'ቕ ኣይኮነ፡ ክፉእ ኣይኮነ። 
1860 ሞራላዊ ዓይነቱ ዚግለጽ ብብቑዕ መንገዲ ንኣእምሮን ድላይን ብዘንቀሳቕሶ 
መጠን እዩ። ስምዒታት፡ ብድልየት ዝ'ኾነ እዩ ንምባል፣ "ወይ በቲ ድላይ 
ዝተኣዘዘ እዩ፤ ወይ ከኣ ኣብ'ቲ መንገዱ ብድላይ ዘይተዓግተ" እዩ።[44] ስምዒታት 
ብኣእምሮ (ልቦና) ዚምእዘዝ ኮይኑ፡ ናይ ሞራላዊ ወይ ሰብኣዊ ሠናይ ፍጽምና 
እዩ።[45]

**1768** ኣብ መደብ ሞራላውነትን፣ ቅድስና-ሰባትን፡ ኃያል ስምዒታት ወሳኒ 
1803 እ'ጃም የብሉን፤ እዚ ስምዒታት'ዚ ግን፡ ሞራላዊ ሕይወት ዚግለጸሉ፣ ተቐዲሑ 
1865 ዘይውዳእ ናይ ሥእልታትን ስምዒታዊ ዝንባሌታትን፡ ቀላይ እዩ። ስምዒታት፡ 
ንሠናይ ተግባር ገለ ከበርክት ከሎ ብሞራል ጽቡ'ቕ (ሠናይ) እዩ፣ ብተጻዩ ድማ 
ክፉእ እዩ። እቲ ቅኑዕ ድላይ ከኣ፡ ንናይ'ቲ ዚውንኖ ህዋሳት ምንቅስቓሳት 
ናብ'ቲ ጽቡ'ቕን ናብ ብፅዕነትን ገጹ ይሠርዖ። ክፉእ ድላይ ቀጥዒ ኣብ ትሕቲ 
ዘይብሉ ስምዒታት ይውዕል፣ ተመሊሱ 'ኸኣ እቲ ክፉእ ድላይ ነቲ ስምዒታት 
የባርዖ። ውሽጣውን ግዳማውን ስምዒታት ናብ መደብ መንፈሳዊ ኃይላት ክብ 
ኪብል ይኽእል፣ ወይ ከኣ ብክፉእ ልማዳት ተዘናቢሉ ኣብ ዘይመዓላኡ ኪውዕል 
ይኽእል።

**1769** ልክዕ ከምቲ ኣብ ናይ ጐይታ ሥቓያቱን ውርደቱን ርኡይ ዝ'ኾነ፣ 
መንፈስ ቅዱስ ድማ ነቲ መላእ ፍጡር (ሰብ) ምስ'ቲ 'ኹሉ ሓዘናቱ፣ ፍርሓቱ፣ 
ጓሂታቱ፡ ብምንቅስቓስ፡ ኣብ ሕይወት-ክርስትና ስራሓቱ ይፍጽም። ኣብ ክርስቶስ፣ 
እቲ ሰብኣዊ ስምዒታት፡ ብፍ'ቕርን መለኮታዊ ብፅዓንን ተፍጻሜቱ ይረክብ።

**1770** ሞራላዊ ፍጽምና ኪበሃል ከሎ፣ ወድሰብ በቲ ድላዩ ጥራሕ ናብ 
30 ሠናይ ወይ ጽቡ'ቕ ይንቀሳቐስ ማለት ዘይኮነስ፣ መጽሓፈ መዝሙር "ልበይን 
ሥጋይን በቲ ሕያው ኣምላኽ ይሕጐስ"[46] ከም ዚብሎ፣ በቲ ስምዒታዊ 
ባህጉ'ውን ከይተረፈ እዩ።

---

## ብሓጺር

**1771** "ስምዒታት" ዚብል ቃል ነቲ ውሽጣውን ግዳማውን ዝንባሌ ዜመልክት እዩ። በቲ ውሽጣዊ ስምዒቱ ወድሰብ ነቲ ሠናይ ይርዳእ፣ በቲ ክፉእ ከኣ ይሰግእ።

---

[44] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh I-II, 24, 1 corp. art  
[45] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh I-II, 24, 3 ረአ  
[46] *መዝ* 84፡2

1772 እተን ቀንዲ ስምዒታት፣ ፍቕሪ፣ ጽልኢ፣ ባህጊ፣ ፍርሒ፣ ሓጐስ፣ ጓሂ፡ ቍጥዓ እየን።

1773 ከም መጠን ስምዒታዊ ባህጊ (ዝንባሌ) ኣብ ስምዒታት፡ ብሞራል ዚግምገም ጽቡቕ ኮነ ክፉእ ነገር የለን። መጠን'ቲ ምስ ኣእምሮን (ልቦናን) ድላይን ዝተኣሳሰሮ ግን ኣብኡ ናይ ሞራል ክፍኣት ወይ ጽባቐ ይህሉ።

1774 ውሽጣዊ ኃያል ስምዒታትን፡ (ኣፍኣዊ) ግዳማዊ ዝንባሌታትን ናብ መንፈሳዊ ኃይላት ኪድይብ፡ ወይ ከኣ ብክፉእ ልማዳት ኪዘናበል ይኽእል።

1775 እቲ ብሞራል ጽቡቕ ዝኾነ፡ ፍጽምና ዚረክብ፡ ወድሰብ ናብ'ቲ ጽቡቕ ብድላዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ብ"ልቡ" እውን ስለዚንቀሳቐስ እዩ።

## ኣንቀጽ 6
# ሞራላዊ ኅሊና

1776 "ወድሰብ ኣብ'ቲ ዝዓመቜ ወገን-ኅሊናኡ ዝተሰኽዐ፣ ንሱ ባዕሉ ዘይመሃዞ ግና ኸኣ ኪእዘዞ ዘለዎ ሕጊ ይረክብ። ናይ'ዚ ወትሩ ንፍቕሪ ዚጽውዖን፣ ጽቡቕ ንምግባር፡ ክፉእ ንምውጋድ ዘተባብዖን ድምጺ ኣብ'ቲ ግቡእ ግዜ ኣብ ልቡ ዚደሃዮ እዩ...። ሰብ ኣብ ልቡ ብእግዚኣብሔር ዝተጻሕፈ ሕጊ ኣለዎ.....እቲ ኅሊናኡ ድማ ናይ ሰብ ስቱር ውሽጣዊ ኮይኑ፣ ብመንገም ዘይገሃስ ፍሉይን ቅዱስን ቦታኡ እዩ። ድምጹ ኣብ መዓሙቕ-ልቡ ምስ ዘቃልሓሉ ኣምላኽ ኣብኡ ንበይኑ ይራኸብ"።[47] 1954

## I. ፍርዲ ኅሊና

1777 ነፍስወከፍ ሰብ ኣብ መዓሙቕ ልቡ ዘሎ ሞራላዊ ኅሊና[48] ኣብ'ቲ ግቡእ ግዜ ሠናይ ንምግባር፣ ክፉእ ንምውጋድ ዚእዝዞ እዩ። ኣብ ልዕል'ቲ ፍሉይ ምርጫ ወይ ውሳኔ ፍርዲ ብምሃብ፣ ነቲ ጽቡቕ ዝኾነ የጽድቕ፣ ነቲ ክፉእ ዘበለ ኸኣ ይኹንኖ።[49] ነቲ ንሰባት ዚስሕብን ዚማርኽን ዝለዓለ ሠናይ (ፈጣሪ) ብዚርኢ፣ ንናይ ሓቂ ልዕልናን ሥልጣንን ይምስክር፣ ትእዛዛቱ ከኣ 1766 2071

[47] ፍሥሓን ተስፋን GS 16
[48] ሮሜ 2፡14-16 ረአ
[49] ሮሜ 1፡32 ረአ

ይቕበል። እቲ ጥበበይና ሰብ፡ ንኅሊናኡ ጽን ኪብል ከሎ ነቲ ዘዛረቦ ኣምላኽ ኪሰምዕ ይኽእል።

**1778** ኅሊና ናይ ኣእምሮ ፍርዲ እዩ፤ በኣኡ ድማ፡ ሓደ ሰብ፡ ኪፍጽሞ ናይ
1749 ዘለዎ፣ ኣብ መስርሕ-ምፍጻም ናይ ዘሎ፣ ወይ ከኣ ድሮ ናይ ዝተፈጸመ ጭቡጥ
ተግባር ሞራላዊ ዓይነቱ የረጋግጽ። ወድሰብ ኣብ'ቲ ኵሉ ዚብሎን ዚገብሮን፣
ነቲ ፍትሓውን ቅኑዕን ምዃኑ ዝፈለጦ ብተኣማንነት ኪኽተል ይግደድ። በዚ ናይ
ኅሊናኡ ፍርዲ ገቢሩ ከኣ፡ ወድሰብ ነቲ ናይ መለኮታዊ ሕጊ ትእዛዛት
ከስተውዕልን ኪቕበልን ይርከብ፡-

> ኅሊና ናይ ኣእምሮና (መንፈስና) ሕጊ እዩ። ንክርስትያን ግን ካብ'ዚ ንላዕሊ ኪኸውን ኣይክእልን'ዩ፡ ማለትሲ ብኻልእ ዝመጸ ግዴታ ዘይኮነ፣ ናይ ኃላፍነት፣ ናይ ግድነት፡ ናይ ፍርሓትን ተስፋን ሓሳብ'ውን ኣየመሓላልፍን። .....ስለ'ዚ (ኅሊና) ናይ'ቲ ብመደብ ባሕርይን ብመደብ ጸጋን፡ ተኀቢኡ ዚዛረበና፡ ብወኪላቱ ገቢሩ ዚምህረናን ዚመርሓናን (ዘመሓድረናን) ናቱ መልእኽተይና እዩ። ኅሊና እቲ ናይ ክርስቶስ ቀዳማይ ወኪል እዩ።[50]

**1779** ነፍስወከፍ ሰብ፡ ንናይ ኅሊናኡ ድምጺ ብዚግባእ ምእንቲ ኪሰምዖን
1886 ኪኽተልን፣ ርእሱ ናይ ምፍላጥ ብቕዓት ኪህልዎ ኣድላዪ እዩ። ሕይወት ድማ
ብዚበዝሕ ካብ ኣስተንትኖን ርእሰ-መርመራን፣ ሓሳብካ ካብ ምፍታሽን ስለ
እተዘናግዓና፡ እዚ ናይ ውሽጣዊ ሕይወት ኵስኵሳ ኣድላዪነቱ ግዲ ኮይኑ
ይርከብ፡-

> ናብ ኅሊናኹም ተመለሱ፣ ተወከስዎ....ኣኀዋተይ! ንውሽጢ ናብ ርእስኹም እተዉ፣ ኣብ ኩሉ እትፍጽምዎ ዘበለ ከኣ፣ ንኣምላኽ ከም ምስክርነትኩም ረኣይዎ።[51]

**1780** ንናይ ሰብኣዊ ኣካል ክብረ-ግርማ፡ እቲ ናይ ሞራላዊ ኅሊና ቅንዕና
1806 ኣድላይን ኣገዳስን እዩ። ናይ መምርሕታት ሞራል ርድኢት (synderesis =
ንቕሓተ ኅሊና)፤ ብናይ ኣእምሮን ረብሓታትን ግብራዊ ሜማ ብኸመይ ኣብ'ቲ
ህልዉ ኵነታት ከምዚውዕል፣ መወዳእታ ከኣ ብዛዕባ ጭቡጥን ክዉንን ተግባራት
(ኪፍጸም ዘለዎ ይኹን ድሮ ዝተፈጸመ) ዚወሃብ ፍርዲ ኣብ ኅሊና ይጠቓለል።
እቲ ብሕጊ-ኣእምሮ ዝቖመ ንሞራላዊ ቅንዕና ዚርኢ ሓቂ፣ ብግብራውን ጭቡጥን
ኣገባብ ተቐባልነት ዚረክብ ብናይ ኅሊና ጥበበይና (ልቦናዊ) ፍርዲ እዩ። ምስ'ዚ
ፍርድ'ዚ ኣሰማሚዑ ወይ በኣኡ ኣሰንዩ ምርጫኡ (ውሳኔኡ) ዚገብር ሰብ ጥበበይና
ወይ ለባም ሰብ ንብሎ።

---

[50] ካርዲናል ሄንሪ ኒዩማን "Letter to the Duke of Norfolk,"V,in Certain Difficulties felt by Anglicans in Catholic Teaching II (London፡Longmans Green, 1885),248.

[51] ቅ.ኣጕስጢኖስ In ep Jo. 8, 9፡ PL 35, 2041

1781 ኅሊና ኪበሃል ከሎ፣ ሓደ ሰብ በቲ ዝፈጸሞ ተግባራቱ ኃላፍነቱ (ተሓታትነት) ንኪለብስ ዘኽእሎ እዩ። ሓደ ሰብ ክፍኣት እንተገበረ፤ እቲ ቅኑዕ ፍርዲ-ኅሊና ከም ናይ ጽቡቕ ሓፈሻዊ ሓቅነት ምስክር ይኸውን፤ ማዕረ ማዕረኡ ከኣ ብዝገበሮ ናይ ክፉእ ፍሉይ ምርጫኡ (ውሳኔኡ) ይምስክረሉ። እቲ ናይ ፍርዲ-ኅሊና ውሳኔ ናይ ተስፋን ምሕረትን ዕርቡን ኮይኑ ይቕጽል። ኅሊና ብዛዕባ'ቲ ዝተፈጸመ ጌጋ ኪምስክር እንከሎ፣ ኪሕተት ንዘለዎ ናይ ይቕረታን ምሕረትን ነገር፣ ኪግበር ንዘለዎ ሠናይ (ጽቡቕ)፣ ብጸጋ ኣምላኽ ቀጻሉ ኪኹስኰስ ንዚግበኦ መንፈሳዊ ኃይላት፡ ከዘኻኽር ይርከብ፡- 1731

> ኅሊናና እንተነቐፈና ድማ፡ ኣምላኽ ካብ ኵሉ ዚዓብን፣ ኵሉ ዚፈልጥን ስለዝኾነ፣ ንልብና ኣብ ቅድሚኡ ከነህድኦ ኢና።[52]

1782 ወድሰብ፡ ባዕሉ ናይ ሞራል ውሳኔታት ንምግባር ምእንቲ ኪኽእል፣ ብኅሊና ንኪሰርሕ መሰል ኣለዎ። "ተጻይ ኅሊናኡ ዝኾነ ነገር ንኺገብር ኪግደድ ኣይግባእን፤ ብኅሊናኡ ተመሪሑ እንካብ ምስራሕ (ምግባር)፣ ብፍላይ መንፈሳውን ሃይማኖታውን ነገራት እንካብ ምፍጻም ኪዕገት የብሉን"።[53] 2106

## II. ኵስኰሳ ኅሊና

1783 ኅሊና ዚኣክል ሓበሬታ ኪረክብ፣ ሞራላዊ ፍርዲ ከኣ ኪበርህ ይግበኦ። ብዚግባእ ዝተኾስኰሰን ዝተሓንጸን ኅሊና ቅኑዕን ሓቀይናን እዩ። ብኣእምሮ ተመሪሑ፣ ብጥበብ ፈጣሪ ምስ ዝተመደበ ሓቀይና ጽቡቕ ተሰማሚዑ፣ ፍርዲ የቕውም። ኣብ ትሕቲ ኣሉታዊ ጽልዋታት ብምዃን፣ ነቲ ቅኑዕን ሥሩዕን ትምህርቲ ነጺጎም ናይ ብሕቶም ፍርዲ (ርእይቶ) ንምኽታል፡ ብኃጢኣት ንዚፍተኑ ሰባት፣ እቲ ናይ ኅሊና መዕበያዊ ኵስኰሳን ሕንጸትን ኣዝዩ ኣገዳስን ኣድላይን እዩ። 2039

1784 ናይ ኅሊና መዕበያ ኵስኰሳ (ሕንጸት) ናይ ምሉእ መዋዕልካ ዕማም እዩ። ካብ ፈለማ ዓመታቱ ኣትሒዙ፣ እቲ ሕፃን ነቲ ብኅሊና ቅቡል ዝኾነ ውሽጣዊ ሕጊ ንኺፈልጥን፡ ኣብ ተግባር ንኽውዕልን ከለዓዕሎ ይርከብ። ጥበብ ዝመልኦ መዕበያ ብመንፈሳዊ ኃይላት ይኹስኰስ፤ ካብ ሰብኣዊ ድኻምነትን ጌጋን ንዚውለድ ፍርሓትን፣ ኣንነታዊ ስስዕትን ትዕቢትን፣ ካብ ስምዒት በደል ዚብገስ ብስጭትን፣ ካብ ናይ ባህታ ስምዒትን ኪከላኸል ወይ ኪፍውሶ ይርከብ። ናይ ኅሊና መዕበያዊ ኵስኰሳ ንናጽነት ውሕስነት ይህብ፣ ኣብ ልቢ ከኣ ሰላም የፍሪ"። 1742

[52] 1 ዮሓ 3፡19-20
[53] ክብሪ-ሰብ DH 3 § 2

**1785** ኣብ ኵስኵሳ-ኅሊና ቃል-ኣምላኽ ናይ መንገድና ብርሃን እዩ።[54]
890 ብእምነትን ጸሎትን ምስ ርእስና ከነወሃህዶ፣ ኣብ ግብሪ'ውን ከነውዕሎ ይግበኣ
ና። ኣብ ቅድሚ መስቀል-ጐይታና ብምኳን ንኅሊናና ክንምርምሮ የድሊ።
ኣብ'ዚ ኵሉ ድማ ብናይ ካልኦት ምኽርን ምስክርነትን ተደጊፍና ብናይ ቤተክር
ስትያን ሥልጣናዊ ትምህርቲ ተመሪሕና፡ ብጸጋ-ህያባትን መንፈስ ቅዱስን
ተሰኒና ንርከብ።[55]

## III. ምስ ኅሊና ዘሳኒ ምርጫ (ውሳኔ) ምግባር

**1786** ሓደ ሞራላዊ ምርጫ ወይ ውሳኔ ኪገብር ዘለዎ ኅሊና፣ ወይ ምስ ኣእምሮን ኣምላኻዊ ሕግን ዚሰማማዕ ቅኑዕ ፍርዲ ክኸውም እዩ፤ ወይ ከኣ ብተጻዩ ካብ'ዚ ዝረሓቐ ግጉይ ፍርዲ የኸውም።

**1787** ሓድሓደ ግዜ ወድሰብ ብሞራላዊ ፍርዱ ርግጽ ንምኳንን ውሳኔ
1955 ንምግባር ኣዝዩ ኣጸጋሚ ዝኾነ ኵነታት የጓንፎ እዩ። እንተኾነ ወትሩ ነቲ
ቅኑዕን ሠናይን ብዕቱብ ኪደሊ (ክናዲ)፣ ነቲ ብመለኮታዊ ሕጊ ዚግለጽ ፍቓድ-
ኣምላኽ'ውን ክለሊ ይግበኦ።

**1788** በዚ ዕላማ'ዚ እምበኣር፡ ወድሰብ፡ ከም ጥበብን ልቦናን ብዝበለ
1806 መንፈሳዊ ኃይሊ፣ ብምኽሪ ሰብ-ክእለትን፣ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ረድኤትን
ህያባትን ተሓጊዙ፣ ነቲ ናይ ተመክሮኡን ትዕዝብቱን ነገራትን ናይ እዋኑ
ምልክታትን ኵሉ ትርጓሜ ኪህቦ ይጽዕር።

**1789** ገሊኡ ሕግታት ኣብ ኩሉ ጉዳያት ኪውዕል ዚኽእል'ዩ፡

1756 - ካብኡ ጽቡቕ ምእንቲ ኪረክብ ኢሉ ክፉእ ኪገብር ዚፍቀደሉ የልቦን፣
1970 - እቲ ወርቃዊ ሕጊ፡- "ሰባት ኪገብሩልኩምም እትደልዩዎ ኵሉ
ንስኻትኩም'ውን ከምኡ ግበሩሎም"[56]
1827 - (ፍቕሪ-ብጻይ) ግብረ ሠናይ ዚኽተሎ መንገዲ፣ እቲ ናይ ኣኽብሮ ብጻይን
1971 ኅሊናኡን እዩ፣ "በዚ መንገድ'ዚ ነቶም ኣኀዋት እናበደልኩም፣ ነቲ ድኹም
ኅሊናኦም እናቍሰልኩም ንኽርስቶስ ትብድልዎ ኣሎኹም"።[57] ምእንት'ዚ ከኣ
"....ኃውኻ ዚዕንቀፈሉ ነገር ዘይምግባር ሠናይ እዩ"[58]።

---

[54] መዝ 119፡105 ረአ
[55] ክብሪ-ሰብ DH 14 ረአ
[56] ማቴ 7፡12፣ሉቃ 6፡31፣ጦቢ. 4፡15 ረአ
[57] 1 ቆሮ 8፡12
[58] ሮሜ 14፡21

## IV. ግጉይ ፍርዲ

1790 ሓደ ሰብ ወትሩ ንናይ ኅሊናኡ ርግጸይና ፍርዲ ኪእዘዝ ይግበኦ። ፈሊጡን ደልዩን ተጻዩ ዚገብር እንተደኣ ኮይኑ፣ ንርእሱ እዩ ዚኹንን ዘሎ። እንተኾነ፡ ሞራላዊ ኅሊና ብቑዕ ኣፍልጦ ብዘይምጭባጡ፣ ብዛዕባ'ቲ ኪፍጸም ዘለዎ ወይ ከኣ ድሮ ዝተፈጸመ ተግባራት ግጉይ ፍርዲ ከቕውም ዚኽእለሉ ኵነታት ኣሎ።

1791 እዚ ዘይምፍላጥ'ዚ ወትሩ ከም ናይ ውልቂ ተሓታትነት በደል ኮይኑ ይቐርብ። እዚ ከም'ዚ ዝበለ ጕዳይ ዘጋጥም ከኣ፣ "ሓደ ሰብ፡ እቲ ሓቅን ጽቡቕን (ሠናይን) ንምፍላጥ ዘይጽዕር (ወይ ቁሩብ ዚጽዕር) እንኪኸውን፣ ወይ ከኣ ኃጢኣት ብምፍጻም ኅሊና በብቑሩብ ክሳብ ምዕዋር እንኪበጽሕ እዩ።"[59] ኣብ ከም'ዚ ዝበለ በቲ ዚፍጽሞ ክፍኣት በደለይና እዩ። 1704

1792 ኣፍልጦ ክርስቶስን ወንጌሉን ዘይብልካ ምኻን፣ ናይ ካልኦት ሕማቕ ኣብነት፣ ናይ ስምዒታትካ ግዙእ ምኻን፣ ብኅሊናይ ናጻ እየ ካብ ዚብል ግጉይ ርድኢት ዚስዕብ፣ ንናይ ቤተክርስትያን ሥልጣንን ትምህርትን ምንጻግ፣ ብንስሓ ዘይምልዋጥ፣ ኣብ ግብረሠናይ ዘይምንጣፍ፣ እዚ ኵሉ ነገራት'ዚ ኣብ ሞራላዊ ኣከያይዳ፣ ናይ'ቲ ግጉይ ፍርዲ ምንጪ ኪኸውን ዚኽእል እዩ። 133

1793 ብተጻዩ፣ እቲ ናይ ዘይምፍላጥ ኵነታት ፈጺሙ ዘይውገድ፣ ወይ ከኣ እቲ ናይ ሞራላዊ ተግባር ዋና ዝኾነ፣ በቲ ዝሃቦ ግጉይ ፍርዲ ዘይሕተት እንተደኣ ኮይኑ፡ እቲ ዝፈጸሞ ክፉእ ተግባር ኣየኽስሶን እዩ። ብዝኾነ እቲ ነገር ብርእሱ ክፍኣትን፡ ጕድለትን፡ ዘይሥሩዕን ምኻኑ ግን ኣይተርፎን። ምእንት'ዚ ድማ ሓደ ሰብ፡ ነቲ ናይ ሞራላዊ ኅሊና ጌጋታት ኪእርም ኢሉ ኪጽዕር ይግበኦ። 1860

1794 ግብረ ርኅራኄን፡ ግብረ-ሠናይን፡ "ካብ'ታ ንጽሕቲ ልብን፣ ጽርይቲ ኅሊናን፣ ቅንዕቲ እምነትን"[60] ስለዚፍልፍል፣ ጽብቕትን ጽርይትን ኅሊና በታ ሓቀይና እምነት ዝበርሀት እያ።

> ቅኑዕ ኅሊና ንኺድልድል መጠን ዝተጋደሉ፣ መጠኑ ኸኣ ሰባትን ጕጅለታትን ካብ'ቲ ዕዉር ምርጫ (ውሳኔ) ኪምለሱን፣ ብናይ ሞራላዊ ኣገባብ ቅኑዕ መምዘኒታት ኪንቀሳቐሱን ይጽዕሩ።[61] 1751

---

[59] ፍሥሓን ተስፋን GS 16
[60] 1 ጢሞ 5፣3፡9፣2 ጢሞ 1፡3፣1 ጴጥ 3፡21፣ግ.ሓ 24፡16 ረኣ
[61] ፍሥሓን ተስፋን GS 16

## ብሓጺር

1795 "ኅሊና፡ ናይ ወድሰብ ስቱር ውሽጡ፣ ብመንም ዘይገሃስ፡ ሕቶርን ፍሉይን ቅዱስ ቦታኡ እዩ። ምስ'ቲ ኣብ መዓሙቕ ልቡ ድምጹ ዘቃልሕ ኣምላኹ፡ ኣብኡ ንበይኑ ምስኡ ይራኸብ።" (GS 16)

1796 ኅሊና ናይ ኣእምሮ ፍርዲ እዩ፤ በኣኡ ገቢሩ ሓደ ሰብ፡ ናይ ዝተፈጸመ ጭቡጥ ተግባር ሞራላውነቱን ዓይነቱን የረጋግጽ።

1797 ነቲ ክፍኣት ዝፈጸመ ሰብ፣ እቲ ናይ ፍርዲ-ኅሊና ውሳኔ፣ ናይ ተስፉን ምሕረትን ዕርቡን ኮይኑ ይቕጽል።

1798 ብዚግባእ ዝተኹስኰሰን ዝተሓንጸን ኅሊና ቅኑዕን ሓቀይናን እዩ። ብኣእምሮ ተመሪሑ፣ ብጥበብ ፈጣሪ ምስ ዝተመደበ ሓቀይና ሠናይ (ጽቡቕ) ተሰንዩ ፍርዱ የቕውም። ነፍስወከፍ ሰብ ድማ ኅሊናኡ ንምኹስኳስ ዚሕግዞ መጋበሪ ኪሕዝ ይግበኦ።

1799 ሞራላዊ ምርጫ ወይ ውሳኔ ኪገብር ዘለዎ ኅሊና፣ ወይ ምስ ኣእምሮን ኣምላኻዊ ሕግን ዚሰማማዕ ቅኑዕ ፍርዲ ከቕውም እዩ፤ ወይ ከኣ ብተጻዩ ካብ'ዚ ዝረሓቐ ግጉይ ፍርዲ የቕውም።

1800 ሓደ ሰብ፡ ወትሩ ንናይ ኅሊናኡ ርግጸይና ፍርዲ ኪእዘዝ ይግባእ።

1801 ኅሊና ብዘይኣፍልጠ ኪተርፍ፣ወይ ከኣ ግጉይ ፍርዲ ኪህብ ይኽእል እዩ። እዚ ከምዚ ዝበለ ዘይምፍላጥን ጌጋን ኩሉ ግዜ ካብ በደል ናጻ ኣይኮነን።

1802 ቃል-ኣምላኽ ንመንገድና ብርሃን እዩ። ብእምነትን ጸሎትን ምስ ርእስና ከነወሃህዶ፣ ኣብ ግብሪ'ውን ከነውዕሎ ይግባእ። በዚ ዓይነት'ዚ እዩ ሞራላዊ ኅሊና ዚኹስኰስ።

## ኣንቀጽ 7
## ሰብኣውን መንፈሳውን ኃይላት

1803 "ሓቂ ዘበለ፣ ርዝነት ዘለዎ ኹሉ፣ ቅኑዕ ዘበለ ንጹሕ ዘበለ፣ ተፈታዊ ዘበለ፣ ሠናይ ዘለዎ ኹሉ፣ ብሉጽ ወይ ምስጉን ነገር እንተ'ልዩ፡ ብዛዕባ'ዚ ነገር'ዚ ሕሰቡ።"[62]

[62] ፊልጵ 4፡8

መንፈሳዊ ኃይሊ ኪበሃል ከሎ፣ ሠናይ ነገር ንምፍጻም እተዘውትሮ ልሙድን ጽኑዕን ኣተናን ኣገባብን እዩ። ንሓደ ሰብ ድማ፡ ጽቡቕ ቅኑዕ ተግባራት ንኺፍጽም ዘኽእሎ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ እቲ ዝበለጸን ዚከኣሎን ዘበለ ኹሉ ንኽወፊ ዚሕግዞ እዩ። እቲ ብመንፈሳዊ ኃይሊ ዝማዕረገ ሰብ፣ ብዅሉ ሕዋሳውን መንፈሳውን ክእለቱ ናብ'ቲ ሠናይ ነገር ይዝንብል፤ ኣብ ጭቡጥ ተግባራት ድማ ነቲ ሠናይ (ጽቡቕ) ነገር ይኽተል።

መንፈሳዊ ኃይላት ዝለበሰት ሕይወት ዕላማኣ ንኣምላኽ ምምሳል እዩ።[63]

# I. ሰብኣዊ ኃይላት

**1804** ሰብኣዊ ኃይላት ክንብል ከሎና፣ ነቲ ብኣእምሮን ብእምነትን ተመሪሑ ንተግባራትና ዚገዝእ፣ ንስምዒታትና ዚሥርዕ፣ ንጠባይና ዚመርሕ፡ ጽኑዕ ኣተሓሳስባን፡ ርጉእ ኣተናን፣ ዝውቱር ናይ ኣእምሮን ሓሳብን ምዕባሌ ነመልክት። እዚታት ከኣ፡ ብሞራል ዝተመርሐ ጽቡቕ ሕይወት ንምንባር ዝበለጸ ዕድል ይህብ፣ ምልከት-ርእስን ታሕጓስን ከኣ የፍሪ። በዚ ኃይላት'ዚ ዝተሸለመ ሰብ፣ ናጻ ኮይኑ ብድልየቱ ሠናይ ነገር ዚፍጽም እዩ። 2500

እቲ ሞራላዊ ኃይላት ብሰብኣዊ ጻዕሪ ይጭበጥ። ብሞራል ቅኑዕ ናይ 1827
ዝኾነ ተግባራት ፍረን ዘርእን ድማ እዩ፤ ንዅሉ'ቲ ናይ ወድሰብ ክእለት(ዓቕሚ) ምስ መለኮታዊ ፍቕሪ ኅብረት ወይ ሱታፌ ንኺህልዎ የሰናድዎ።

## ኣዕኑድ ኃይላት

**1805** ኣርባዕተ ሰብኣዊ ኃይላት ቀንድን ኣገዳስን ዝኾነ እጃም ስለዘለወን "ኣዕኑድ" ይበሃላ፤ ኹሉ'ቲ ካልእ በዘን ኣርባዕተ ዚጽወር እዩ። እዚኣተን ከኣ ጥበብ-ፍትሒ/ርትዒ-ጽንዓት-ምጥንና እያተን። "መንፈሳዊ ኃይሊ ትኽተል (ትደሊ) ካብ ኮንካ፣ መንፈሳዊ ኃይሊ ናይ ዘበለ ዅሉ ገባሪት ጥበብ እያ። ፍትሒ ኮነ ትብዓት፣ ገዛእ ርእስኻ ምግታእ ኮነ ምስትውዓል መበቈሉ ጥበብ እያ።"[64] እዚ መንፈሳዊ ኃይላት'ዚ ኣብ ብዙሕ ወገናት ቅዱስ መጽሓፍ ብዝተፈላለየ ኣስማት ተጠቒሱን ተወዲሱን ኣሎ።

**1806** *ጥበብ*። ነቲ በሓቂ ጠቓሚ ነገር ምእንቲ ከለልን፣ ንኺጭብጦ ከኣ 1788
ቅኑዕ መጋበሪ ምእንቲ ኪመርጽን፣ ነቲ ግብራዊ ኣእምሮና ዘሰናድዎ ሰብኣዊ 1780
ኃይሊ ጥበብ እዩ። "ለባም ሰብ ንስጕምቱ ይጥንቀቐሉ"[65] "ጸሊኹም ምእንቲ ክትክእሉ ገዛእ ርእሶም ዚገትኡን ጥንቁቓትን ኩኑ"[66]። ቅዱስ ቶማስ በዓል

[63] ቅ.ጎርጎርዮስ ዘኑሲስ De beatitudinibus, 1፡ PG 44, 1200D.
[64] ጥበ 8፡7
[65] ምሳ 14፡15
[66] 1 ጴጥ 4፡7

ኣኵናስ ከኣ ኣሰር ኣሪስቶትል ተኸቲሉ፣ ጥበብሲ "እቲ ቅኑዕ ኣእምሮ ኣብ ግብሪ እንኪረኣ" እዩ ኪብል ጸሓፈ።[67] ጥበብ ምስ ሕፍረት ኮነ ምስ ፍርሓት፣ ወይ ከኣ ምስ ድርብ ኣተና ኮነ ምስ ሓሳዊ ኣቀራርባ (ኣምሰሉ) ኪመሳሰል ወይ ኪደባለቕ ኣይግበኦን። ናይ'ተን ኃይላት መራሒ እውን ይበሃል። ሕግን መምዘንን ብምሥራዕ ከኣ ነተን ካልኦት ይመርሐን። ንናይ ኅሊና ፍርዲ ብቐጥታ ኪመርሖ ዚርከብ ጥበብ እዩ። እቲ ለባም ሰብ ንጠባዩን መንገዱን ምስ'ዚ ፍርድ'ዚ ኣሰማሚዑ ይሠርዖን ይመርሖን። በዚ ኃይል'ዚ ተሓጊዝና ከኣ፣ ከይተጋገና ነቲ ሞራላዊ መምርሕታት ኣብ ፍሉይ ጉዳያትን ግድላትን ነውዕሎ፤ በዚ ኸኣ ብዛዕባ'ቲ ኪጭበጥ ዘለዎ ሠናይን፣ ኪውገድ ዘለዎ ክፉኣትን ንዘሎና ጥርጣረ ክንስዕሮ ንኽእል።

**1807** *ፍትሒ/ርትዒ፦* ንእግዚኣብሔርን ንብጻይካን ዘዝግበኦም ንምሃብ፣
2095 ቀጻልን ጽኑዕን ዝኾነ ድላይ እተርእየሉ ሞራላዊ ኃይሊ፡ ርትዒ ይበሃል።
2401 ብመንፅር ኣምላኽ እንኽተሎ መደብ ፍትሒ "ናይ ሃይማኖት ኃይሊ-ምግባር"
ይበሃል። ብመንፅር ሰባት ዚህሉ ፍትሒ/ርትዒ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ መሰላት ምእንቲ ኪኽበርን፣ ኣብ መንጎ ሰባት ንዘሎ ርክብ ድማ ናይ ሰባት ማዕርነትን፡ ናይ ሓባር ረብሓታትን ኣብ ዘማዕብል ስኒት ንኺምሥረት ዘሰናዱ እዩ። እቲ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ወትሩ ዚጥቀስ ርትዐይና ወይ ፍትሐይና ሰብ፣ በቲ ዘዘውትሮ ቅኑዕ ኣተሓሳስባን፣ ብመንፅር ብጻዩ ብዘለዎ ናይ ጠባያቱን ኣገባባቱን ቅንዕናን ይልለ። "ፍርዲ ኣይተቕንን፣ ንሓደ ካብ ሕዝብኻ'ውን ብቕንዕና ደኣ ፍረዶ'ምበር፣ ንድኻ ገጹ ርኢኻ ኣይተዳልዎ፣ ንሃብታም ድማ ገጹ ርኢኻ ኣይተኸብሮ"።[68] "ኣቱም ጐይቶት፣ ንስኻትኩም'ውን ኣብ ሰማይ ጐይታ ከምዘሎኩም ፈሊጥኩም ምስ ገላዉኹም ቅኑዓትን ዘይተዳልዉን ኩኑ"።[69]

**1808** *ጽንዓት፦* ጸገማት ኣብ ዘጋጥመሉ፡ ብትብዓት ጸኒዕካ ንምክያድ
2848 ዚሕግዝ ነቲ ሠናይ (ጽቡቕ) ኣብ ምድላይን ምፍጻሙን ከኣ ቀጻልነትን ትግሃትን
2473 ዚህብ፡ እዚ ጽንዓት ዝተባህለ ሞራላዊ ኃይሊ እዩ፤ እቲ ወሲኑ ዚካየድ ወገን
ንፈተናታት ንኺመምን ኪስዕርን የበርትዖ፣ ኣብ ሞራላዊ ሕይወት ንዘጋጥሞ ዕንቅፋት ንኺሰግር ይድግፎ። ናይ ሞራል ኃይሊ-ጽንዓት ሓደ ሰብ ፍርሃት ንኪስዕር፣ ናይ ሞት ፍርሃት'ውን ከይተረፈ ንኪስዕር፣ ከምኡ'ውን ንፈተናታትን ናይ ስደት ተፃብኦታትን በርቲዑ ንኺገጥም የኽእሎ። ሓደ ሰብ ምእንቲ ቅኑዕን ፍትሓውን ዕላማ፣ ሕይወቱ ከም መሥዋዕቲ ክሳብ ምውፋይ፡ ዘብጽሕ ኣተና ብጽንዓት ዚረኽቦ ኃይሊ እዩ። "ኃይለይን መዝሙረይን እግዚኣብሔር እዩ"[70]። "ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎኩም፣ እንተኾነ ኣጆኹም፣ ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ"።[71]

---

[67] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II, 47, 2
[68] ዘሌ 19:15
[69] ቆላ 4:1
[70] መዝ 118:14
[71] ዮሓ 16:33

**1809** ምጥንና፦ ንናይ ፍትወታትን ባህግታትን ዝንባሌና ዚምጥን፣ ኣብ 2341
ኣጠቓቕማ ፍጡር ነገራት ከኣ ሚዛን ዚህበና ሞራላዊ ኃይሊ ምጥንና እዩ። 2517
ኃይሊ-ድላይ ንስምዒታትን ድፍኢታትን እንኪገዝእ፣ ንባህግን ሃረርታን ከኣ ነቲ ምዕሩግን ዜኽብርን ደረታት ከምዘይሓልፍ ይገብር። እቲ መንፈስ ምጥንና ዝተላበሰ ሰብ ነቲ ስምዒታዊ ሃረርታኡ ናብ'ቲ ጽቡቕ/ሠናይ ኣቢሉ የቕንዮ፤ ጥዑይን ቅኑዕን ሚዛናውነት ሒዙ ይካየድ፣ -"ብድፍኢትካን ብኃይልኻን ኣይትመራሕ፤ ከም ድልየት-ልብኻ'ውን ኣይትኺድ"።[72] እዚ መንፈስ ምጥንና ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዙኅ ግዜ ኪውደስ ንረኽቦ-"ንስምዒትካስ ተቘጻጸሮ ደኣ'ምበር ሥጋኻ ብዚፈትዎ ነገር ኣይትመለኽ"[73]፤ ሓዲስ ኪዳን ከኣ "ምግታእ" "ዓቕን" ይብሎ። "ኣብዚ ዓለም'ዚ ገዛእ ርእስና ብምግታእ ብጽድቅን ብመንፈሳውነትን"[74] ክንነብር ይግባእና።

> ብጽቡቕ ምንባር ማለት፡ ብምሉእ ልብኻ፡ ብምሉእ ነፍስኻ፡ ብምሉእ ኃይልኻ ንኣምላኽ ምፍቃር፡ እንተዘይኮይኑ ካልእ ኣይኮነን። ካብ'ዚ ከኣ፡ ፍቕሪ ምሉእን ዘይተበላሸወን (ሳላ ምጥንና) ኮይኑ ይወጽእ። ዝኾነ ይኹን ጸገምን ጸበባን ከኣ ኣየናውጾን (እዚ'ውን ሳላ መንፈስ ጽንዓት እዩ)። ንኣምላኽ ጥራሕ ይእዘዝ (ፍትሒ/ርትዒ እዩ)፣ ብተንኰልን ሸጠፍን ምእንቲ ከይጥበር፡ ነገራት ኣብ ምምማይን ምልላይን ጥንቁቕ እዩ (እዚ ኸኣ ጥበብ እዩ)።[75]

## ሰብኣዊ ኃይላትን መደብ ጸጋን

**1810** ሰብኣዊ ኃይላት፡ ብመዕበያን ትምህርታዊ ኵስኰሳን፣ደሊኻ ብዚፍጸም 1266
ተግባራትን፣ ብጽንዓት እናተሓደሰ ብዚደጋገም ጻዕርታትን፣ እናተጻረየን እናተመዓራረየን ይኸይድ፣ ብመለኮታዊ ጸጋ ከኣ ንላዕሊ ይድይብ። ብረድኤት-ኣምላኽ ጠባያዊ መልክዕ ወይ ባሕርይ ይቐርጽ፣ ነቲ ጽቡቕ ሠናይ ነገር ኣብ ምፍጻም ከኣ የጣጥሕ። ነዚ ኃይላት'ዚ ዝጨበጠ ሰብ፣ ኣብ ግብሪ ንኸውዕሎ ሕጉስ እዩ።

**1811** ነቲ ብኃጢኣት ዝቘሰለ ወዲሰብ፣ ሞራላዊ ሚዛን ሒዙ ንኺካየድ 2015
ክሳብ ክንድ'ቲ ቀሊል ኣይኮነን። ነዚ ሰብኣዊ ሞራላዊ ኃይላት ኣብ ምድላይን ምሓዝን ዘድልየና ጸጋ፣ ካብ'ቲ ክርስቶስ ዘወፈየልና ህያብ-ድኅነት ኢና እንረኽቦ። ነፍስወከፍ ሰብ ድማ ፡ኣብ ምሥጢራት ኣዘውቲሩ ብምስታፍ ምስ መንፈስ ቅዱስ ብምትሕብባር፣ ጽቡቕ ንምኽታል፡ ከፉእ ንምውጋድ ንዝቐረበሉ ጸዋዕታኡ ብምፍቃር፣ ነዚ ናይ ብርሃንን ብርታዐን ጸጋ ኪምህለል ይግበኦ።

---

72 ሢራ 5፡2፣37፡27-31 ረአ
73 ሢራ 18፡30
74 ቲቶ 2፡12
75 ቅ.ኣጕስጢኖስ De moribus eccl. 1, 25, 46፡ PL 32, 1330-1331

## 2086-2094 2656-2658 II. መንፈሳዊ ኃይላት

**1812** ሰብኣዊ ኃይላት፣ ንወድሰብ ኣብ መለኮታዊ ባሕርይ ንኺሳተፍ
1266 ክእለታቱ ኣብ ዘሰማምዓሉ፣ ኣብ'ቲ መንፈሳዊ ኃይላት ዝተመሥረተ እዩ።[76] እዚ
መንፈሳዊ ኃይላት'ዚ ብቐጥታ ናብ ኣምላኽ ዘተኰረ እዩ። ክርስትያን ምስ
ቅድስቲ ሥላሴ ኣብ ዚግበር ርክብ ንኺነብሩ ዘኽእሎም ኣተና የልብሶም።
መበቈሉን ዕላማኡን ከኣ እቲ ሓደን ሠለስተን ዝኾነ ኣምላኽ እዩ።

**1813** እዚ መንፈሳዊ ኃይላት ናይ'ቲ ክርስትያናዊ ሞራላዊ ተግባር መሠረት
2008 ኮይኑ፣ ሕይወት ይህቦን ፍሉይ መልክዕ የልብሶን። ንኹሉ ሞራላዊ ኃይላት
ሓበሬታ ዚህቦን፡ ዘንቀሳቕሶን እውን እዩ። መጠን ደቂ ንምስራሕ ከኽእሎምን፡
ዘለዓለማዊ ሕይወት ምእንቲ ከውርሶምን ኢሉ፣ ኣምላኽ ኣብ ነፍሳተ-ምእመናን
ዝሰኾዖ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ'ቲ ሰብኣዊ ክእለት ከምዘሎን ከምዚሰርሕን
ዜረድእ ዕርቡን እዩ።ሠለስተ መንፈሳዊ ኃይላት ኣለዋ፤እምነት -ተስፋ- ፍቕሪ።[77]

## 142-175 እምነት

**1814** ኣብ ኣምላኽ ንኽንኣምንን፡ ነቲ ኹሉ ንሱ ዝበለናን ዝገለጸልናን፣ ሓቂ
506 ብቐንዳ ኣብ ዝኾነ ኣምላኽ ተመርኲስና ንኽንኣምኖ ቅድስቲ ቤተክርስትያን
ንእተቕርበልና ዘበለ ኩሉ፡ በዚ እምነት ዝተባህለ መንፈሳዊ ኃይሊ ንቕበሎ።
ወድሰብ ብእምነት "ንኹለንትናኡ ብድልየቱ ኣብ ትሕቲ-ኣምላኽ የንብር"[78]፤ በዚ
ምኽንያት'ዚ ኸኣ እቲ ኣማኒ፡ ድላይ-ኣምላኽ ንኺፈልጥን ንኪፍጽምን ይጽዕር።
"እቲ ጻድቕ ብእምነት ይነብር"። "እታ ሕያው እምነት ብፍቕሪ ትሰርሕ"።[79]

**1815** ህያብ እምነት፣ ተጻዩ ገለ'ኳ ኃጢኣት ኣብ ዘይፈጸመ ሰብ ቀጺሉ
ይነብር።[80] እንተኾነ "እምነት ብዘይግብሪ ምውቲ እያ"[81]። እምነት ካብ ተስፋን
ፍቕርን እንተደኣ ተነጺላ (ጉዲላ)፣ ነቲ ምእመን ብምልኣት ምስ ክርስቶስ
ኣይተወሃህዶን፣ ናይ'ቲ ኣካሉ ሕያው ኣባል'ውን ኣይትገብሮን።

**1816** እቲ ናይ ክርስቶስ ወደ-መዝሙር ዝኾነ፣ ንእምነት ኪሕዛን ኣብኣ
2471 ኪነብርን ጥራሕ ኣይኮነን ዚሕተት፤ ብግልጺ ኪእመንን፣ ነዛ እምነቱ ብወግዒ
ኪገልጻን፣ ብተኣማንነት ከረጋግጻን ኪምስክረላን፣ ከስፍሓን ይግበኦ። "ኵሎም
ሰባት እምበኣር፣ ንኽርስቶስ ኣብ ቅድሚ ሰባት ኪእመንዎን፣ ኣብ መንገ'ቲ
ንቤተክርስትያን ዘይተጋደፋ ስደትን ውርደትን ኮይኖም ንክርስቶስ ብመንገዲ

---

[76] 2 ጴጥ 1፡4 ረአ
[77] 1 ቆሮ 13፡13 ረአ
[78] ቃል-ኣምላኽ DV 5
[79] ሮሜ 1፡17፣ገላ 5፡6
[80] ጉባኤ ትረንቶስ (1547)፡ ደንዚንገር DS 1545 ረአ
[81] ኢያ 2፡26

መስቀል ኪስዕብዎን ስንድዋት ኪኾኑ ይግባእ"።[82] ምእንቲ እምነት ዚፍጸም ኣገልግሎትን፣ ዚወሃብ ምስክርነትን ንድኅነት ኣድላዪ እዩ፤ "ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝተኣመነኒ ኹሉ፣ ኣነ ኸኣ ኣብ ቅድም'ቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክእመኖ እየ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝኸሓደኒ ግና፣ ኣነ ድማ ኣብ ቅድም'ቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክኽሕዶ እየ"[83]።

## ተስፋ

**1817** ኣብ'ቲ ክርስቶስ ዝኣተወልና ቃል ተኣማሚንና፣ ኣብ ኃይልና ዘይኮነስ፣ 1024
ኣብ'ቲ ናይ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ረድኤት ተጸጊዕና፣ ከም መጠን ዝለዓለ ታሕጓስና ንመንግሥተ ሰማይን ዘለዓለማዊ ሕይወትን ክንብህግን ክንጽበን ዚሕግዘና መንፈሳዊ ኃይሊ ተስፋ እዩ። "እቲ ተስፋ ዝሃበና እሙን እዩ፤ ስለ'ዚ ነታ እንጽበያ ተስፋ ብዘይምውልዋል ኣጽኒዕና ንሓዛ"[84]። "ብጸጋኡ ጸዲቕና ብተስፋ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ወረስቲ ምእንቲ ክንከውን፣ ብመድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ገቢሩ ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሌና ኣብዚሑ ኣፍሰሶ።"[85]

**1818** መንፈሳዊ ኃይሊ-ተስፋ፣ ኣምላኽ ኣብ ልቢ ነፍስወከፍ ሰብ ንዝንበሮ 27
ሃረርታ-ታሕጓስ ምላሽ ዚህብ እዩ። ነቲ ንተግባራት ደቅሰብ ዜለዓዕል ተስፋታት ብምቕጻል ኣመጻርዩን ኣዓርዩን ናብ መደብ መንግሥተሰማይ ገጹ የቕንዖን ይሠርያን። ንወድሰብ ካብ ቅብጸትን፡ ምዕራብ-ንያትን ይሕልዎ፣ ብግዜ ጸበባን መከራን የትብዖን የጽንዖን፣ ንልቡ ብናይ ዘለዓለማዊት ብፅዕና ትጽቢትን ባህግን ይኸፍቶ። ብተስፋ ተመሊኡ እናንጸብለለ፣ ካብ ኣንነትን ስስዕትን ተሓሊዉ፣ ካብ ፍቕርን ግብረሠናይን ናብ እትፍልፍል ታሕጓስ ይውሰድ።

**1819** እዛ ናይ ክርስትና ተስፋ፣ ነታ ካብ ተስፋ-ኣብርሃም ዝበቈለትን፡ በኣኣ 146
መሠረት ዝተሣእለትን፡ ናይ'ቲ ሕሩይ ሕዝቢ ተስፋ መቐጸልታን ተፍጻሜትን እያ። ኣብርሃም እንተደኣኮይኑ፡ በቲ ኣብ ይስሓቕ ዝተፈጸመ ቃል-ተስፋ ኣዕዚዙ ዝተባረኸን፣ በቲ ናይ መሥዋዕት ፈተና ብምሕላፍ ተመጻርዩ ዝተዓወተን እዩ።[86] "ኣብ'ቲ ተስፋ ዘይብሉ፣ ተስፋ ብምግባር ኣቦ-ብዙኃት ከምዚኸውን ኣመነ"[87]።

**1820** ካብ ፈለማ ስብከት-ኢየሱስ ኣትሒዛ፡ እዛ ተስፋ-ክርስትና ኣብቲ ናይ 1716
ቃለ-ብፅዓን ኣዋጅ ክትግለጽ ንርእያ። እዚ ቃለ-ብፅዓን፣ ከም መጠን ሓዳስ 2772
ምድሪ-ተስፋ ንተስፋና ናብ መንግሥተሰማይ ገጹ የቕንዓልና። ንደቀመዛሙርት ኢየሱስ ይጽበዮም ብዝነበረ ፈተናታት ገቢራ ንእትመርሕ መንገዲ ይሕንጽጸልና።

---

[82] ብር.ኣሕ. LG 42፣ክብሪ-ሰብ DH 14 ረአ
[83] ማቴ 10:32-33
[84] ዕብ 10:23
[85] ቲቶ 3:6-7
[86] ዘፍ 17:4-8፣22:1-18 ረአ
[87] ሮሜ 4:18

እንተኾነ ግን ብትሩፋት ኢየሱስ ክርስቶስን ሥቓያቱን ሞቱን ገቢሩ ኣምላኽ ኣብ'ታ "ዘይተሕፍር ተስፋ"[88] ይሕልወና። "እዛ ተስፋ'ዚኣ ናይ ሕይወትና ድልድልትን ጽንዕትን መልኅቅ እያ። ናብ'ታ ኢየሱስ.....ምእንታና ናብኣ ኣትዩ ዘሎ.... እትበጽሕ እያ።"[89] ድኅነት ንምጭባጥ ኣብ እንገብሮ ቓልሲ፡ እዛ ተስፋ'ዚኣ ዋልታና'ውን እያ፤ "እምነትን ፍቕርን ከም ድርዒ ለቢስና፣ ንተስፋ-ድኅነት ከም ቍራዕ-ርእሲ ደፊእና...ንንበር"።[90] ኣብ እዋን ፈተና'ውን ከይተረፈ ታሕጓስ የውህበና፤ "ብተስፋ ተሓጐሱ፣ ብጸበባ ተዓገሡ"[91]። ተስፋ ብሓፈሻ ኣብ ጸሎት፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ'ቲ ንኹሉ ተስፋ ዜሕድረልና ባህጊ ዘጠቓለለ" ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት" (ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር) ይግለጽን ኣጸቢቑ ይኹስኰስን።

**1821** ምእንት'ዚ፣ እምበኣር፣ ነቶም ዘፍቅርዎን ፍቓዱ ዚፍጽሙን፣ ኣምላኽ
2016 ቃል ኣብ ዝኣተወሎም፣ ኣብቲ ናይ መንግሥተ-ሰማይ ክብሪ ተስፋ ክንገብር
1037 ንኽእል ኢና።[92] ኣብ ዝኾነ ይኹን ሃለዋት ድማ፡ ነፍስወከፍ ካባና፡ ብጸጋ ኣምላኽ
"ክሳብ መወዳእታ"[93] ምእንቲ ኪዕገሥ፣ በዚ ኸኣ ብሓገዝ ጸጋ-ክርስቶስ ምእንቲ
ዝተፈጸመ ጽቡቕ ስራሓት ንዚወሃብ ዘለዓለማዊ ሽልማት-ኣምላኽ ንዝኾነ ናይ
መንግሥተ-ሰማይ ታሕጓስ ንኺረክብ፡ ተስፋ ኪገብር ኣለዎ። ቤተክርስትያን ከኣ፣
"ኵሎም ሰባት ንኺድኅኑ"[94] ብተስፋ ትጽሊ። ምስ'ቲ መርዓዊኣ ዝኾነ ክርስቶስ፡
ኣብ ክብሪ መንግሥተ-ሰማይ ንክትወሃሃድ ብናፍቖት ሃረር ትብል፡-

> ተስፋ ግበሪ! ኦ ነፍሰይ ተስፋ ግበሪ። መዓልቱ ይኹን ሰዓቱ ፈጺምኪ ኣይትፈልጥን ኢኺ። ታህዋኽክን ተርባጽክን፣ ኣብ'ቲ ርግጽ ዝኾነ'ውን ጥርጥር ዘምጻኣልኪ፣ ነቲ ሓጺር ግዜ ከኣ ዘናውሖ'ኳ እንተኾነ፣ ኵሉ ነገር ብቕጽበት ኪሓልፍ እዩ'ሞ፣ ብጥንቃቐ ንቕሒ! ሕልፈ ከምዝተቓለስኪ መጠን፣ መጠኑ ከኣ ፍቕሪ-ኣምላኽ ከምዘሎኪ ዜረጋግጸልኪ እንኪኸውን፡ ሓደ መዓልቲ'ውን ምስ'ቲ ፍቑርኪ፡ መወዳእታ ኣብ ዘይብሉ ታሕጓስን ተመስጦን ሰጢምኪ ከምትድሰቲ ዜረጋግጽ እዩ[95]።

## ፍቕሪ

**1822** ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና፡ ምእንቲ ርእሱ ኢልና፡ ልዕሊ ኹሉ ነገር
1723 እነፍቅረሉ፣ ንብጻይና'ውን ምእንቲ ፍቕሪ-ኣምላኽ ኢልና ከም ርእስና ገቢርና
እነፍቅረሉ መንፈሳዊ ኃይሊ ፍቕሪ እዩ።

---

88 ሮሜ 5፡5
89 ዕብ 6፡19-20
90 1ተስ 5፡8
91 ሮሜ 12፡12
92 ሮሜ 8፡28-30፣ማቴ 7፡21 ረአ
93 ማቴ 10፡22፣ጉባኤ ትረንቶስ፡ ደንዚንገር DS 1541 ረአ
94 1 ጢሞ 2፡4
95 ቅ.ተሬዛ ኣቪላ Excl. 15፡3

**1823** ኢየሱስ ንፍቕሪ ሓዳስ ትእዛዝ ገቢሩ የቕርባ።[96] ንቶም ናቱ "ክሳብ መፈጸምታ"[97] ብምፍቃር፣ ነቲ ንሱ ንርእሱ ዝተቐበሎ ፍቕሪ-ኣቦኡ ኪገልጾ ተረኺበ። እቶም ደቀመዛሙርቱ ድማ፡ ነንሓድሕዶም ብምፍቓር፣ ነቲ ንርእሶም ዝተቐበልዎ ፍቕሪ-ኢየሱስ ኪኽተሉን ኪመስሉን ይረኣዩ። ስለ'ዚ እዩ ኸኣ ኢየሱስ "ከም'ቲ ኣቦ ዘፍቀረኒ፣ ኣነ'ውን ኣፍቂረኩም እየ፣ ኣብ ፍቕረይ ንበሩ" ዝበለ። ደጊሙ'ውን "ከም'ቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም፡ ንስኻትኩም ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ ትእዛዘይ እዚ እዩ"።[98] 1970

**1824** እቲ ናይ መንፈስ (ቅዱስ) ፍረን፣ ምልኣት-ሕግን ዝኾነ ፍቕሪ፡ ነቲ ናይ እግዚኣብሔርን ናይ ክርስቶስን ትእዛዝት ዚሕሉ እዩ፤ "ኣብ ፍቕረይ ንበሩ፤ ....ትእዛዛተይ እንተሓሎኹም ኣብ ፍቕረይ ጸኒዕኩም ክትነብሩ ኢኹም"።[99] 735

**1825** ንሕና ጋና "ጸላእቲ"[100] ከሎና፡ በቲ ኣባና ዘለዎ ፍቕሩ ክርስቶስ ምእንታና ሞይቱ። ከም'ቲ ንሱ ዘፍቀሮ፡ ክነፍቅር፣ ጸላእትና'ውን ከይተረፉ ክነፍቅር፡ ነቶም ርሒቖም ዚርከቡ'ውን ከም ብጻይ ክንኮኖም፣ ከምኡ'ውን ከም ክርስቶስ ብርእሱ ገቢርና ንሕፃናትን ድኻታትን ክነፍቅር ጐይታ ባዕሉ ኣዚዙና እዩ።[101] 604

> *ሓዋርያ ጳውሎስ፡ መዳርግቲ ዘይርከቦ ናይ ፍቕሪ ሥእሊ ይህብ፡- "ፍቕሪ ዓቃል እያ፣ ፍቕሪ ለዋህ እያ፣ ፍቕሪ ኣይትቐንእን እያ፣ ፍቕሪ ኣይትጀሃርን እያ፣ ኣይትዕበን እያ፡ ፍቕሪ ስዲ ኣይኮነትን፣ ነኣይ ይጥዓመኒ ብዚብል ኣይትምራሕን እያ። ፍቕሪ ኣይትቑጣዕን፣ ኣይትቕየምን እያ፣ በሓቂ ትሕጎስ እምበር ብዓመጽ ባህ ኣይብላን። ፍቕሪ ንዅሉ ትጸውር፣ ንኹሉ ተኣምን፣ ብኹሉ ድማ ተስፋ ትገብር፣ ንዅሉ ትዕገሥ።*[102]

**1826** "ፍቕሪ ዘይብለይ እንተኾይነ ከንቱ እየ" ይብል ቅዱስ ጳውሎስ። ዝኾነ ይኹን ዓይነት ሓለፋ፣ ኣገልግሎት፣ መንፈሳዊ ኃይል'ውን ከይተረፈ እንተሎኒ፣ እሞ "ፍቕሪ ዘይብለይ እንተኾይነ፡.... ሓንቲ'ኳ ኣይጠቕመንን"።[103] ፍቕሪ ንዅለን ኃይላት ትበልጸን። ካብ'ተን መንፈሳዊ ኃይላት ዚበሃላ ከኣ ዝቐደመት እያ። "ሕጂ ከኣ እምነት ተስፋ ፍቕሪ፡ እዚኣተን ሠለስቲኣን ኣለዋ፤ ካብዚኣተን እተዓቢ ግና ፍቕሪ እያ"[104]።

---

96 ዮሓ 13፡34 ረአ
97 ዮሓ 13፡1
98 ዮሓ 15፡9፣12
99 ዮሓ 15፡9-10፣ማቴ 22፡40፣ሮሜ 13፡8-10 ረአ
100 ሮሜ 5፡10
101 ማቴ 5፡44፣ሉቃ 10፡27-37፣ማር 9፡37፣ማቴ 25፡40፣45 ረአ
102 1 ቆሮ 13፡4-7
103 1 ቆሮ 13፡1-4
104 1 ቆሮ 13፡13

**1827** እቲ ናይ ሰብኣውን መንፈሳውን ኃይላት ተግባር በታ "ንኹሉ ኣሲራ
815 ኣብ ፍጹም ስኒት እትጥርንፍ"[105] ፍቕሪ ሕይወት ይዘርእን ይንቀሳቐስን። ሓደ
826 ዓይነት መሥርዕ ኃይላት እዩ፣ ኣብ ነንሓድሕዶም የኣሳስሮምን፣ ይሠርዖምን።
ናይ ክርስትናዊ ልሙድ ተግባሮም ምንጭን መወዳእታ ዕላማን ምኳኑ እዩ።
ፍቕሪ (ወይ ግብረ ሠናይ) ነቲ ናይ ምፍቃር ሰብኣዊ ዓቕሚ ይድግፎን
የጽርዮን፣ ናብ ናይ መለኮታዊ ፍቕሪ መልዕልተ ባሕርያዊ ፍጽምና የደይቦ።

**1828** ብመንፈስ-ፍቕሪ (ግብረ ሠናይ) ዝተንቀሳቐሰ ሞራላዊ ሕይወት፡ ነቲ
1972 ክርስትያን፡ ናይ ደቂ-እግዚኣብሔር መንፈሳዊ ናጽነት ይህቦ። ደጊም ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሔር ኪቐርብ ከሎ፡ ከም ሓደ ባርያ፣ ብባርነታዊ ፍርሓት፣ ወይ ከኣ
ከም ሓደ ደሞዙ ዚጽበ ዕሱብ ዘይኮነስ፣ ነቲ "ኣቐዲሙ ዘፍቀረና"[106] ናይ ፍቕሪ
ምላሽ ከምዚህብ ውሉድ ኮይኑ እዩ ዚቐርብ።

> ንመቕጻዕቲ ፈሪሕና፡ ካብ ክፍኣት ነልግስ እንተኾይንና፡ ኣብ'ቲ ናይ ባራዩ መደብ ኢና ዘሎና። ብዚወሃብ ደሞዝ ተጠቢርና ነኣኡ ጥራሕ ሃሰስ ንብል እንተኾይንና…ነቶም ዕሱባት ኢና ንመስል። ኣብ መወዳእታ፣ ነቲ ሠናይ (ጽቡቕ) ምእንቲ ርእሱን፣ ነቲ ዝኣዘዘና ካብ ዘሎና ፍቕሪ ተበጊስና ንእዘዝ እንተኾይንና.. ንሕና ኣብ ናይ ውሉድ(እግዚኣብሔር) መደብ ኢና ዘሎና።[107]

**1829** ናይ ፍቕሪ ፍርያት፣ ታሕጓስ፡ ሰላም፡ ምሕረት እዩ። ፍቕሪ ግብረ-
2540 ሠናይነትን ኀውነታዊ ምትእርራምን የሓትት። ንኻልእ ዘሎካ ሠናይ ድልየት'ውን
እዩ፤ ሓድሕዳዊ ምድግጋፍ የማዕብል፣ ረብሓ ዘይጽበን፡ ለጋሥን፡ እዩ።
ከምኡ'ውን ምሕዝነትን ናይ ኅብረት ሱታፌን እዩ።

> ፍቕሪ ብርእሱ ናይ ኩሉ ስራሓትና ተፍጻሜት እዩ። ዕላማ ስለዘሎ ንጕዪ (ንቀዳደም) ናብኡ ገጽና ንጕዪ፣ ሓደ ግዜ ኣብኡ ምስበጻሕና ድማ፡ ኣብኡ ዕረፍቲ ንረክብ።[108]

## III. ናይ መንፈስ ቅዱስ ህያባትን ፍርያትን

**1830** ሞራላዊ ሕይወት ክርስትያን በቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ህያባት ይድገፍ።
እዚ ድማ ወድሰብ ንሕሹኽታ መንፈስ ቅዱስ ንምኽታል፣ ልኡም ዚገብሮ ነባር
ኣተና ምኳኑ እዩ።

**1831** እተን ናይ መንፈስ ቅዱስ ሾብዓተ ህያባት፣ ጥበብ፣ ኣእምሮ ምኽሪ፣
1266 ጽንዓት፣ ፍልጠት፣ መንፈሳውነትን፡ ፍርሓት-ኣምላኽን እየን። ብምልኣት ናይ
1299

---

[105] ቆላ 3፡14
[106] 1 ዮሓ 4፡19 ረአ
[107] ቅ.ባስልዮስ Reg. fus. tract., prol. 3፡ PG 31, 896 B.
[108] ቅ.ኣጐስጢኖስ In ep. Jo. 10, 4፡ PL 35, 2057

ክርስቶስ ናይ'ቲ ወዲ-ዳዊት እየን።[109] ንናይ'ቶም ዝቕበልወን ሰባት ኃይላት መመላእታን ፍጽምናን ይህባ። ምእመናን ንመለኮታዊ ሕሹኽታ ንኺእዘዙ ስንድዋት ንኺኾኑ ልዙብ ልቢ ይህቦም።

*ሠናይ መንፈስካ ብቕኑዕ መንገዲ ይምረሓኒ[110]።*

*እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፣ ንሳቶም ውሉድ-ኣምላኽ እዮም… እምበኣር ውሉድ-ኣምላኽ ካብ ኮንና፣ ወረስቲ ድማ ኢና፣ ንኣምላኽ ወረስቱ፡ ንክርስቶስ መዋርስቱ ኢና።[111]*

1832 እዚ ናይ መንፈስ ፍርያት ዝተባህለ፣ መንፈስ ቅዱስ ኣባና ዜፍርዮ ፍጽምና ኮይኑ፣ ናይ ዘለዓለማዊ ሕይወት በዅሪ ፍርያት እዩ። ትውፊት ቤተክርስትያን ድማ ከምዚኦም ዝበሉ ዓሠርተ ኽልተ ይዝርዝር፡- "ፍቕሪ፣ ታሕጓስ፣ ትዕግሥቲ፣ ሕያውነት (ጒሩት)፣ ርኅራኄ፣ ልግሲ፣ ትሕትና፣ ተኣማንነት፣ ምግታእ ርእሲ፣ ንጽሕና፡ ምጥንና፡ የዋህነት።[112] 736

## ብሓጺር

1833 *መንፈሳዊ ወይ ሰብኣዊ ኃይሊ ዚበሃል፣ ሠናይ ወይ ጽቡቕ ንምግባር ልሙድን ጽኑዕን ዝኾነ ኣተና እዩ።*

1834 ሰብኣዊ ኃይላት ኪበሃል ከሎ፣ነቲ ብኣእምሮን ብእምነትን ተመሪሑ ንተግባራትና ዚገዝእ፣ ንስምዒታትና ዚሥርዕ፣ንኣገባባትና ዚመርሕ ርጉእ ኣተና ነመልክት፣ ኣብ ዙርያ'ቲ ኣርባዕተ ኣዕኑድ ኃይላት፣ ጥበብ፣ ርትዒ (ፍትሒ)፣ ጽንዓት ምጥንና ዚምደብ እዩ።

1835 በሓቂ ጠቓሚ ንዝኾነ ነገር ምእንቲ ክለልን፣ ንኺጭብጦ ከኣ ቅኑዕ መጋበሪ ምእንቲ ኪመርጽን፡ ነቲ ግብራዊ ኣእምሮ ዘሰናድዎ ሰብኣዊ ጥበብ እዩ።

1836 ንእግዚኣብሔርን ንብጻይካን ዘዚግበኦም ንምሃብ፡ ቀጻልን ጽኑዕን ዝኾነ ድላይ እተርእየሉ ሞራላዊ ኃይሊ፡ፍትሒ (ርትዒ) ይበሃል።

1837 ኣብ መንጎ ጸገማት፡ ብትብዓት ንምጽናዕ ዚሕግዝ፣ ነቲ ሠናይ (ጽቡቕ) ኣብ ምድላይን ምፍጻሙን ከኣ ቀጻልነት ዚህብ ጽንዓት እዩ።

1838 ናይ ፍትወታትን ባህግታትን ዝንባሌና ዚምጥን፣ ኣብ ኣጠቓቕማ ፍጡር ነገራት ከኣ ሚዛን ዚህበና ሞራላዊ ኃይሊ ምጥንና እዩ።

[109] ኢሳ 11፡1-2 ረአ
[110] መዝ 143፡10
[111] ሮሜ 8፡14፣17
[112] ገላ 5፡22-23 (Vulg.).

1839 እቲ ሞራላዊ ኃይላት፡ ብመዕበያን ትምህርታዊ ኵስኲሳን፣ ደሊኻ ብዚፍጸም ተግባራትን፣ ብጽንዓት እናተሓደሰ ብዚደጋገም ጻዕርታትን፡እናተመጻረየን እናተመዓራረየን ይኸይድ። ብመለኮታዊ ጸጋ ከኣ ንላዕሊ ይድይብ።

1840 መንፈሳዊ ኃይላት፣ ክርስትያን ምስ ቅድስቲ ሥላሴ ኣብ ዚግበር ርክብ ምእንቲ ኪነብሩ ዘኽእሎም ኣተና የልብሶም።እቲ ብእምነት ዚፍለጥ ኣምላኽ፣ እቲ ምእንቲ ርእሱ ክትብል እተፍቅሮን፡ ብተስፋ እትጽበዮን ኣምላኽ፣ ንሱ ናይዚ መንፈሳዊ ኃይላት መበቈልን ዕላማን እዩ።

1841 ሠለስተ መንፈሳዊ ኃይላት ኣለዋ፤ ንሳተን ከኣ -እምነት ተስፋ ፍቕሪ እየን። ንኹሉ ሞራላዊ ኃይላት ሕይወት ዚህባን ፍሉይ መልክዕ ዘልብሳን፣ ሓበሬታ ዚህባን ዘንቀሳቕሳን እውን እየን።

1842 ኣብ ኣምላኽ ክንኣምንን፣ ንሱ ንዝገለጸልናን፣ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን'ውን፡ ንክንኣምኖ እተቐርበልና ዘበለ ኩሉ ብእምነት ንቕበሎ።

1843 ብተስፋ ገቢርና ድማ፡ ካብ እግዚኣብሔር ዘለዓለማዊ ሕይወትን ነኣኡ ዘብቀዓና ጸጋታትን ንምርካብ ንብህግን፡ ብጽኑዕ እምነት ንጽበን።

1844 ብፍቕሪ ከኣ፣ልዕሊ፡ኵሉ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና፣ ንብጻይና እውን ምእንቲ ፍቕሪ-ኣምላኽ ኢልና ከም ርእስና ገቢርና ነፍቅር። እዛ ናይ ኵለን ኃይላት መልክዕ ዝሓዘት ፍቕሪ፣ “ንኹሉ ኣሲራ ኣብ ፍቕሪ እትጥርንፍ እያ” (ቆላ.3፡14)።

1845 እተን ንክርስትያን ዝተዓደላ ናይ መንፈስ ቅዱስ ፍርያት፣ ጥበብ ኣእምሮ፡ ምኽሪ፡ ጽንዓት፡ ፍልጠት፡ መንፈሳውነት፡ ፍርሓት ኣምላኽ እየን።

# ኣንቀጽ 8
# ኃጢኣት

## I. ምሕረትን ኃጢኣትን

**1846** ወንጌል ማለት፣ እቲ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ንኃጢኣተይናታት 430
ዝተገልጸ ምሕረት-ኣምላኽ እዩ።[113] እቲ መልኣኽ ንዮሴፍ ከምዝበሎ "ንሕዝቡ 1365
ካብ ኃጢኣቶም ከድኅኖም እዩ'ሞ፣ ስሙ ኢየሱስ ክትብሎ ኢኻ"[114]። ብዛዕባ'ቲ ምሥጢረ ድኅነት ዝኾነ ቅዱስ ቍርባን ዝተባህለ'ውን ሓቂ እዩ፣ "እዚ ምእንቲ ብዙኃት ንኅድገት-ኃጢኣት ዚፈስስ ዘሎ ናይ ሓዲሽ ኪዳን ደመይ እዩ"።[115]

**1847** ኣምላኽ ኪፈጥረና ከሎ ብዘይ በኣና እዩ፤ እንተኾነ፡ ብዘይ በኣና 387
ከድኅነና ድላዩ ኣይኮነን።[116] ናቱ ምሕረት ንምቕባል፡ ጌጋታትና ክንእመን 1455
ይግበኣና። "ኃጢኣት የብልናን" እንተበልና ንገዛእ ርእስና ንጥብር ኣሎና፣ እታ ሓቂ'ውን ኣባና የላን። ኃጢኣትና እንተ ተናዘዝና፣ ኣምላኽ እሙንን ጻድቕን ስለዝኾነ፣ ንኃጢኣትና ይቕረ ኪብለልና፣ ካብ ኩሉ በደልና'ውን ከንጽሓና እዩ።"[117]

**1848** ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚብሎ፣ "ኣብ'ቲ ኃጢኣት ዝበዝሓሉ፡ ኣብኡ ጸጋ 385
ኣዝዩ ዓዘዘ"[118]፤ እንተኾነ ጸጋ፡ ስራሑ ምእንቲ ኪፍጽም፡ ንኃጢኣት ከቃልዕ፣ ስለ'ዚ ከኣ ንልባትና ለዊጡ (መሊሱ) "ብኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና፡ ብጽድቂ ንዘለዓለም ሕይወት ዘንግሥ" መደብ ኪህበና ይርከብ።[119] ልክዕ ከም'ቲ ንቑስሊ ቅድሚ ምፍዋሱ ሓኪም ዚምርምሮ፣ ኣምላኽ ድማ፡ በቲ ቓሉን መንፈሱን ገቢሩ ኣብ ልዕሊ ኃጢኣት ሕያው ብርሃኑ ይዝርግሕ፦

> ንስሓ ወይ ምልዋጥ፡ ንምርካብ፡ ኃጢኣትካ ምእማን የድሊ። እዚ ኸኣ ነቲ 1433
> ናይ ኅሊና ውሽጣዊ ፍርዲ ዘጠቓልል እዩ። እዚ'ውን ብወገኑ፡ ነቲ ኣብ ናይ ሰብ ውሽጣዊ ኵነት ዚሰርሕ መንፈስ ሓቂ ምስክሩ ብምዃን፡ ማዕረ ማዕረኡ ድማ፡ ሓዲሽ ጸጋን ፍቕርን ኪልግስ ይጅምር "መንፈስ ቅዱስ ተቐበል"። ምእንት'ዚ ኣብ'ዚ "ናይ ኃጢኣት ምእማን (ምርዳእ)" ድርብ ህያብ ነስተውዕል፦ እቲ ናይ ኅሊና ህያብ-ሓቅነትን፣ ናይ ህያብ-ድኅነት ርግጽነትን እዩ። መንፈስ ሓቂ፡ ዝተባህለ እቲ መጸናንዒ እዩ።[120]

---

[113] ሉቃ 15 ረአ
[114] ማቴ 1፡21
[115] ማቴ 26፡28
[116] ቅ.ኣጕስጢኖስ Sermo 169, 11, 13፡ PL 38, 923
[117] 1 ዮሓ 8-9
[118] ሮሜ 5፡20
[119] ሮሜ 5፡21
[120] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ De V 31 § 2

## II. ትርጕም ኃጢኣት

**1849** ኃጢኣት ተጻይ ኣእምሮን፡ ሓቅን ቅኑዕ ኅሊናን ዚፍጸም በደል እዩ።
311 ናብ ገሊኡ ነገራት ብሰሪ ዘሎካ ዘይእርኑብ (ግዕዙይ) ምጥባቅ፡ ንኣምላኽ ኮነ፡
1952 ንብጻይካ ብንጹሕ ፍቕሪ ከተፍቅር ዘይምኽኣል እዩ። ንባሕርይ ሰብ ኣቝሲሉ፣
ንሰብኣዊ ሓልዮ-ሓድሕድን ምድንጋጽ-ሓድሕድን ዚሃሲ እዩ። "ንዘለዓለማዊ ሕጊ
ዚፃረር ዘረባ፡ ተግባር ወይ ከኣ ባህጊ" ዚብል ትርጓሜ'ውን ይወሃቦ እዩ።[121]

**1850** ኃጢኣት ተጻይ ኣምላኽ ዚፍጸም በደል እዩ፣ "ኣነ፡ ነኣኻ፣ ነኣኻ
1440 ንበይንኻ ጥራይ በደልኩ፣ ኣብ ቅድሜኻ'ውን እከይ ገበርኩ"።[122] ኃጢኣት፡
397 ተጻይ'ቲ ኣብ ልዕሌና ዝፈሰሰ ፍቕሪ-ኣምላኽ ብምኳኑ፣ ንልብና ካብኡ የርሕቖ።
615 ልክዕ ከም'ቲ ናይ ኣዳም ኃጢኣት፡ ዘይምትእዛዝ ወይ ዕልወት፡ ክፉእን ጽቡቕን
ንምፍላጥ ንኣማልኽቲ ምምሳል"[123] ካብ ዚብል ሃረርታ ዝተበገሰ፣ ተጻይ
እግዚኣብሔር ዝተንቀሳቐሰ ተቓውሞ እዩ። ኃጢኣት እምበኣር "ንኣምላኽ ክሳብ
ምንዓቕ፡ ንርእስኻ ምፍቃር እዩ።"[124] በዚ ትዕቢት ዝመልኦ ርእስኻ ምልዓል
ከኣ፡ ኃጢኣት ብቐጥታ ነቲ ድኅነት ዘምጸኣልና ተኣዝዞ-ኢየሱስ ዚፃረር እዩ።[125]

**1851** በቲ ግዜ ሥቓያቱ፡ ክርስቶስ ብምሕረቱ ከጥፈኦ ምስቀረበ፡ ሽዑ
598 ኃጢኣት ብዝተፈላለየ መልክዓቱን፣ ዓመጸይና ተግባራቱን ኪግለጽ ይርከብ። እዚ
2746 ሽኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ኢየሱስ ዝተፈጸመ ዘይምእማን፣ ናብ ቅትለት ዘብጽሕ
616 ጽልኢ፣ ብመራሕቲ ሕዝቢ ለግጽን ውርደትን፣ ናይ ጲላጦስ ፍርድን፡ ጭካነ-
ወተሃደራትን፣ ናይ ይሁዳ ክድዓትን፣ ንኢየሱስ ኣዝዩ ዝመረሮ ናይ ጴጥሮስ
ክሕደትን (ምንጻግ)፣ ናይ ደቀመዛሙርቱ ምብትታንን እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ'ቲ
ቀንዲ ጸልማታዊ ሰዓት፣ ናይ መስፍን'ዚ ዓለም'ዚ ሰዓት[126]፣ ሽዑ እቲ
መሥዋዕቲ-ክርስቶስ ብምሥጢራዊ መንገዲ ሓደ ምንጪ ይኸውን፤ ካብ'ዚ
ምንጭ'ዚ ከኣ ኅድገት-ኃጢኣትን ምሕረትን ከየቋረጸ ኪፍልፍል ይርከብ።

## III. ዝተፈላለየ ዓይነት ኃጢኣት

**1852** ቍጽሩ ኣዝዩ ብዙሕ ዝኾነ ዓይነት ኃጢኣት ኣሎ። ቅዱስ መጽሓፍ ድማ ካብዚ ንገሊኡ ይዝርዝር። መልእኽቲ ናብ ገላትያ፣ ነቲ ናይ ሥጋ ተግባር ምስ'ቲ ናይ መንፈስ ፍርያት የነጻጽሮ፤ -"ግብሪ-ሥጋ ግሁድ እዩ፤ ንሱ ሽኣ ምንዝርና፣ ርኽሰት፣ ዝርጋን፣ ኣምልኾ ጣዖት፣ ጥንቈላ፣ ጽልኢ፣ ባእሲ፣ ቅንኢ፣

---

[121] ቅ.ኣጕስጢኖስ Contra Faustum 22፡ PL 42, 418፣ቅ.ቶማስ ኣኩናስ STh I-II, 71, 6.
[122] መዝ 51፡4
[123] ዘፍ 3፡5
[124] ቅ.ኣጕስጢኖስ De civ. Dei 14, 28፡ PL 41, 436
[125] ፊልጵ 2፡6-9 ረአ
[126] ዮሓ 14፡30 ረአ

ገዛእ ርእስኻ ምፍታው፣ ምፍልላይ፣ መናፍቕነት፣ ቅንኣት፣ ስኽራን፡ ጓይላ ከምʼዚ ዝበለ ካልእʼውን እዩ፤ ከምʼቲ ኣቐዲመ ዘጠንቀቕኩኹም፡ እቶም ነዚ ከምʼዚ ዝበለ ዚገብሩ ንመንግሥቲ-ኣምላኽ ከምዘይወርስዋ እብለኩም ኣሎኹ።"[127]

1853 ዝኾነ ይኹን ሰብኣዊ ተግባር ብዕላማኡ ከምዚልለን ከምዚፍለን፡ ኃጢኣት ከኣ በቲ ዕላማኡ፣ ወይ ከኣ ብመሠረትʼቲ ዚቃወሞ ናይ መንፈሳዊ ኃይሊ ሕልፊ ወይ ጕደሎ ምኻን፣ ወይ በቲ ዚጥሕሶ ትእዛዝ መሠረትʼውን ይልለ። ከምኡʼውን ብመሠረትʼቲ ዚምልከቶ ወገን፣ ማለት ንእግዚኣብሔር፡ ንብጻይካ፡ ንርእስኻ ዚግድስ ከም ዝኾኖ መጠን ኪምደብ ይርከብ። መንፈሳውን ሥጋውን፣ ከምኡʼውን ናይ ሓሳብ፡ ናይ ቃል፡ ናይ ተግባር ወይ ከኣ ናይ ጕድለት ኃጢኣት ተባሂሉ ኪከፋፈል ይከኣል። ከም ትምህርቲ-ጐይታና፡ ናይ ኃጢኣት ሥር ኣብ ልቢ-ወድሰብ፣ ኣብʼቲ ናጻ ድላዩ እዩ ዘሎ፣ "ካብ ልቢ ክፉእ ሓሳብ፣ ቅትለት፣ ዝሙት፣ ምንዝርና ስርቂ፡ ብሓሶት ምምስካር፣ ጸርፊ፡ ይወጽእ እዩʼሞ እዚ እዩ ንሰብ ዜርክሶ"[128]። ግና ኸኣ እቲ ብኃጢኣት ዝቈሰለ፡ ናይʼቲ ጽቡቕን ጽፉፍን ተግባራት ምንጪ ዝኾነ ፍቕሪ (ግብረ ሠናይ) ኣብ ልቢ እዩ መንበሩ። 1751 2067 368

## IV. ክበድ ኃጢኣት፣ ዓቢይን ንኡስን ኃጢኣት

1854 ኃጢኣት፡ ከከም ክብደቱ፡ ብዚግባእ ይግምገም። እቲ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ግልጺ ዝኾነ፡ ኣብ መንጎ ዓቢይን ንኡስን ኃጢኣት ዚግበር ፍልላይ፣ ናይ ትውፊት-ቤተክርስትያን ኣካል ኮይኑ እዩ።[129] እዚ ብሰብኣዊ ተመክሮ (ትዕዝብቲ) እውን ዚረጋገጽ እዩ።

1855 ዓቢይ ኃጢኣት ኣብ ልዕሊ ሕጊ-እግዚኣብሔር ዓቢይ ገበን ብምፍጻም፣ ነታ ኣብ ልቢ-ሰብ ዘላ ፍቕሪ ይድምስስ። መወዳእታ ዕላማኡን ብፅዕናኡን ዝኾነ ኣምላኽ ሓዲጉ፣ ንዝተሓተ ነገር ኪሓሪ ስለዚርከብ፣ ንወድሰብ ካብ እግዚኣብሔር የርሕቖ። 1395

ንኡስ ኃጢኣት ግን ንፍቕሪ ዚብድልን ዘቝስልን እኳ እንተኾነ ፈጺሙ ኣየጥፈኣን እዩ።

1856 ዓቢይ ኃጢኣት ነቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ መሠረታዊ መምርሒ ዝኾነ ፍቕሪ ስለዜጥቅዕ፣ ብልሙድ ኣብ መደብ ምሥጢረ ንስሓ (ዕርቂ) ንዚፍጸም ናይ ምሕረት-ኣምላኽን ምልዋጥን ሓዲሽ ተበግሦ የሓትት። 1446

---

[127] ገላ 5፡19-21፣ሮሜ 1፡28-32;1 ቆሮ 6፡ 9-10፣ ኤፌ 5፡3-5፣ ቆላ 3፡5-8፣1 ጢሞ 1፡9-10፣ 2 ጢሞ 3፡2-5 ረኣ
[128] ማቴ 15፡19-20
[129] 1 ዮሓ 5፡16-17 ረኣ

> ንሰብ ናብ'ቲ መወዳእታ ዕላማኡ ኣቢሉ ምስ ዘቕንዖ ፍቕሪ ብባሕሪኡ ዘይሰማማዕ ነገር፣ ድላይ-ሰብ ነዚ ኪመርጽ ከሎ፣ ንፍቕሪ-ኣምላኽ ዚፃረር፣ ከም ቃል-ጽርፈት (ኣብ ልዕሊ መንፈሳዊ ነገራት)፣ ወይ ከኣ ንፍቕሪ-ብጻይ ዚፃረር ከም ቅትለት ወይ ዝሙት ዝበለ ነገራት፣ ብዕላማኡ ዓቢይ ኃጢኣት ይኸውን። ... እቲ ናይ ኃጢኣተይና ድልየት፡ ኣብቲ ብባሕሪኡ ዘይሥሩዕ ነገር ዘተኰረ ኮይኑ፣ ግና ብቐጥታ ንፍቕሪ-እግዚኣብሔር ኮነ ፍቕሪ-ብጻይ ዘይፃረር፣ ከም'ቲ ከይሓሰብካ ዚግበር ዘረባ፣ ወይ ቀጥዒ ዘይብሉ ሰሓቕን ዚመስሎን ኩሉ ንኡስ ኃጢኣት እዩ።[130]

**1857** ኃጢኣት፣ ዓቢይ ንኪኸውን ሠለስተ ኵነታት ብሓባር ዘጠቓለለ ኪኸውን የድሊ፣ -"ዓቢይ ኃጢኣት ማለት፣ ዕላማኡን ኣፈጻጽማኡን ከቢድ፣ ብምሉእ ፍልጠትን፣ ሥሙር ድልየትን ዝተፈጸመ ኃጢኣት እዩ"።[131]

**1858** ኢየሱስ ነቲ ሃብታም መንእሰይ ብዝሃቦ ምላሽ መሠረት፣ ናይ ሓደ
2072 ነገር (ተግባር) ክብደት ዚውሰን ብዓሠርተው ትእዛዛት እዩ፣ "ኣይትቕተል፡
2214 ኣይትዘሙ፣ ኣይትስረቕ፣ ብሓሶት ኣይትመስክር፣ ኣይተዓምጽ፣ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር"[132]። ናይ ኃጢኣት ክብደት ብመጠኑ ዓቢይ እዩ፤ ቅትለት ካብ ስርቂ ዝኸበደ ይኸውን። እቲ በደል ኣብ ልዕሊ መን ይፍጸም ኣሎ? ዚብል'ውን ኣብ ግምት ኪኣቱ ኣለዎ፤ ንኣብነት ተጻይ ወለዲ ዚግበር በደል፣ ካብ'ቲ ተጻይ ዝኾነ ይኹን ጓና ዚፍጸም በደል ዝኸበደ እዩ።

**1859** ዓቢይ ኃጢኣት ንኺፍጸም ምሉእ ፍልጠትን፡ ፍጹም ድልየትን (ወይ
1734 ሥምረት) ኣገዳሲ እዩ። እቲ ዚፍጸም ተግባር፡ ናይ ኃጢኣት ባሕርይን፡ ንሕጊ-እግዚኣብሔር ተፃራርነትን ከምዘለዎ፡ ኣቐዲምካ ምፍላጥ የሓትት። ከምኡ'ውን ናይ'ቲ ሰብ ምርጫ ወይ ውሳኔ ንኪኸውን ብቑዕ ሥምረትን ድልየትን ዘለዎ ኪኸውን የድሊ። ከምዘይፈለጥካ ምምሳልን ትሪ-ልብን[133] ነቲ ብድልየት ዚግበር ኃጢኣት ይውስኸሉ ደኣ'ምበር ኣይንክየሉን።

**1860** እቲ ብመደብ ዘይደለኻዮ ድንቍርና ወይ ዘይምፍላጥ፣ ብዓቢይ
1735 በደል ንዚመጽእ ተሓታትነት ኪንክዮ ወይ ከኣ ፈጺሙ ከወግዶ ይኽእል።
1767 እንተኾነ ኣብ ኅሊና ነፍስወከፍ ሰብ ተጻሒፉ ንዘሎ ሞራላዊ ሕጊ ዘይፈልጥ ኮይኑ ዚግመት ሰብ የልቦን። ልክዕ ከም'ቲ ግዳማዊ ተጽዕኖታትን፣ ብሰንኪ ሕማም ዚመጽእ ምዝንባላትን፣ ከምኡ ናይ ስምዒታትን ፍትወታትን ድፍኢት፣ እቲ በደል ብናጽነትን ድልየትን ምፍጻሙ፣ ዚንክዮ ወይ ከኣ ፈጺሙ ዘልግሶ እዩ። ኮነ ኢልካ ንኽፍኣት ብምምራጽ፣ ተዓጢቕካ ብክፍኣት ዚፍጸም ኃጢኣት ኣዝዩ ዝኸበደ እዩ።

---

[130] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh I-II, 88, 2, corp. art
[131] RP 17 § 12
[132] ማር 10፡19
[133] ማር 3፡5-6፣ሉቃ 16፡19-31 ረአ

**1861** ልክዕ ከም'ቲ ፍቕሪ ዝኾነ፣ ዓቢይ ኃጢኣት ድማ ናይ ሰብኣዊ 1742
ናጽነት መሠረታዊ ክእለት እዩ። ሳዕቤኑ ፍቕሪ ምጥፋእን፣ እቲ ናይ ጸጋ 1033
ሃለዋት ዝኾነ ቐዳሲ ጸጋ ምስኣንን እዩ። ብንስሓን ብምሕረት-ኣምላኽን ፈጺሙ እንተዘይተወገዱ ከኣ፤ ካብ መንግሥቲ-ክርስቶስ ይኽልክል፣ ዘለዓለማዊ ሞት-ገሃነመ እሳት'ውን የምጽእ። ምኽንያቱ ኸኣ፣ ናጽነትና ንወትሩ ዚጸንዕ ዘይዕጸፍ ውሳኔታት ንምግባር ክእለት ስለዘለዎ እዩ። እንተኾነ፣ ሓደ ተግባር ብርእሱ ዓቢይ ኃጢኣት እዩ ኢልና ክንፈርድ'ኳ እንተኽኣልና፡ ኣብ ልዕሊ ሰባት እንህቦ ፍርዲ፡ ኣብ ናይ ኣምላኽ ፍትሕን ምሕረትን ከነማዕቍቦ ዚግበኣና እዩ።

**1862** ሓደ ሰብ ኣብ ገለ ቅልል ዝበለ ጉዳይ ነቲ ብሞራላዊ ሕጊ ዝተሓንጸጸ መደብ ምስ ዘይሕሉ፣ ወይ ከኣ ብዘይ ምሉእ ኣፍልጦን ፍጹም ድልየትን ኣብ ሓደ ዓቢይ ነገር ንሕጊ-ሞራል ኪጥሕስ ከሎ ንኡስ ኃጢኣት ይፍጽም።

**1863** ንኡስ ኃጢኣት ንፍቕሪ የዳኽማ፤ ናብ ፍጡር ነገራት ዝቐንዐ 1394
ዘይሥሩዕ ፍቕሪ (ዝንባሌ) ይገልጽ፣ እታ ነፍሲ ብመንፈሳዊ ኃይላት ንእትገብሮ 1472
ስጉምቲ ይዕንቅጽ፣ ሞራላዊ ሠናይ ነገር ንምፍጻም የጸግማ። ስለ'ዚ ከኣ ንግዜያዊ ቅጽዓት ዝተመደበ እዩ። ደሊና ዝገበርናዮ፣ እሞ ዘይተነሳሕናሉ ንኡስ ኃጢኣት በብቑሩብ ዓቢይ ኃጢኣት ንምፍጻም ዚድርኽ ኣተና የሕድረልና። ዝኾነኾይኑ ንኡስ ኃጢኣት ምስ እግዚኣብሔር ንዝተገብረ ኪዳን ዚበትኽ ኣይኮነን። ብሓገዝ ኣምላኽ ሰብ ባዕሉ ከዓርዮ ዚኽእል ነገር እዩ። "ንኡስ ኃጢኣት እምበኣር፣ ነቲ ኃጢኣተይና ካብ ቀዳሲ ጸጋ፣ ካብ ዕርክነት-ኣምላኽ፣ ካብ ፍቕሪ፣ ከም ፍረኡ ከኣ ካብ ዘለዓለማዊ ታሕጓስ ኣየዓግቶን እዩ።"[134]

> *ወድሰብ ኣብ'ዚ መደብ ሥጋ ከሎ፡ እንተወሓደ ገለ ንኡስ ኃጢኣት ከይፈጸመ ምንባር ኣይኮነሉን እዩ። ክትመዝኖም ከሎኻ ቅልል ዝበሉ እንተመሰሉኻ፣ ክትጽብጽቦም ከሎኻ ከተንቀጥቕጥ ይግበኣካ። ብዝሕ ዝበለ ቀሊል ነገራት ተኣኻኺቡ ዓቢይ/ግዙፍ ነገር ይኸውን፣ ብዝሕ ዝበለ ነጥብታት ተዋሂሊሉ ውሒዝ ይመልእ፤ ብዝሕ ዝበለ ፍረ እኽሊ ተኣኻኺቡ ኩምራ ይሰርሕ። እሞ ደኣ እንታይ እዩ ተስፋና? ልዕሊ ኹሉ ኑዛዜ.......*[135]

**1864** ስለ'ዚ ኩሉ ኃጢኣትን ጸርፍን ንሰብ ይኀደገሉ እዩ፣ ነቲ ንመንፈስ 2091
ቅዱስ ዝጸረፈ ግና ኣይኪኀደገሉን እዩ እብለኩም ኣሎኹ።[136] ምሕረት-ኣምላኽ 1037
ደረት የብሉን፤ እንተኾነ እቲ ተነሲሑ ምሕረቱ ኪቕበል ዘይደለየ፣ ንኀድገት-ኃጢኣቱን፣ ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተዋህበ ድኀነቱን ይነጽግ።[137] እዚ ከምዚ ዝበለ ትሪ-ልቢ፣ ናብ'ቲ ናይ መወዳእታ ዘይምንሳሕን፣ ናብ ዘለዓለማዊ ጥፍኣትን ኪመርሕ ይከኣል።

---

[134] *ዮሓንስ ጳውሎስ* 2ይ RP 17 § 9
[135] *ቅ.ኣጉስጢኖስ* In ep. Jo. 1, 6፡ PL 35, 1982.
[136] *ማቴ* 12፡31፣*ማር* 3፡29፣ *ሉቃ* 12፡10 *ረአ*
[137] *ዮሓንስ ጳውሎስ* 2ይ DeV 46 *ረአ*

## V. ናይ ኃጢኣት ምብዛሕ

**1865** ኃጢኣት ንኻልእ ኃጢኣት ዚስሕበሉ መንገዲ ይፈጥር። ተመሳሳሊ
401 ተግባራት ብምድግጋም ከኣ ናይ ኃጢኣት ልማድ ክፉእ ኣመል የፍሪ። እዚ ድማ
1768 ብወገኑ፡ ንጎሊና ዘጸልምትን፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ጽቡቕን ክፉእን ዚግበር ጭቡጥ
ፍርዲ ዘዘናብልን፡ ቀጥዒ ዘይብሉ ዝንባሌታት ዘማዕብልን እዩ። በዚ ኸኣ ኃጢኣት
ንኺበዝሕን፡ ርእሱ ኣጸቢቑ ከስፍሕን ከደልድልን እኳ እንተተደናደነ፣ ነቲ
ሞራላዊ ስምዒታትን ርድኢትን ግን ካብ ሡር መሠረቱ ኪድምስሶ ኣይክእልን
እዩ።

**1866** ናይ (ልምዲ) ኣመል መልክዕ ዝሓዘ ኃጢኣት፣ ብመጠን'ቲ ዚቃወሞ
2539 መንፈሳዊ ኃይላት ኪምደብ፣ ወይ ከኣ ኣሰር ቅዱስ ዮሓንስ ካሲያኑስን፡ ቅዱስ
ጎርጎርዮስ ዓቢይን ብምኽታል፣ ትውፊት-ክርስትና ምስ ዚኸፋፍሎ ኣርእስተ
ኃጢኣት ኪተኣሳሰር ዚኽእል እዩ። "ኣርእስት" ዝተባህለሉ ምኽንያት ድማ
ንኻልእ ኃጢኣትን ክፉእ ኣመላትን ዘፈልፍል ብምዃኑ እዩ።[138] እዚኣቶም ከኣ፡
ትዕቢት፡ ንፍገት ቅንኣት፣ ቊጥዓ፣ ፍትወት፣ ዝሙት፡ ትህኪት ወይ ስንፍና
እያቶም።

**1867** ትውፊት ትምህርተ-ክርስትና ከምዘዘኻኽሮ "ናብ ሰማይ ዘእዊ ኃጢኣት"
2268 እውን ኣሎ፤ ደም ኣቤል ጻድቕ[139]፣ ኃጢኣት ሰዶማውያን፣[140] ኣብ ግብጺ ናይ
ዝተገፍዐ ሕዝቢ ኣውያት፣[141] ናይታ መበለትን ናይ'ቲ ድኻ ሕዝብን ብኽያት፣[142]
ኣብ ልዕሊ ሰብ ደሞዝ ዚፍጸም ግፍዒ።[143]

**1868** ኃጢኣት ናይ ውልቂ ተግባር እዩ። ብተወሳኺ ተሓባበርቲ ኮይንና
1736 ክንርከብ ከሎና፣ ካልኦት ብዝፈጸምዎ ኃጢኣት ተሓታትቲ ኢና፤ ምትሕብባር
ዚበሃል ከኣ ብኸምዚ ዚስዕብ እዩ፡-

- ኣብ'ቲ ተግባር ብቐጥታን ብድልየትን ምስታፍ፣
- እቲ ተግባራት ንኺፍጸም፡ ምእዛዝ፣ ምምካር፣ ናእዳን ውዳሴን ምሃብ፣ ወይ ከኣ ደገፍ ምግላጽ፣
- ከነቃልዖ፡ ወይ ክንዓግቶ ዚግበኣና ክነሱ፣ ብዘይምቅላዕና ብዘይምዕጋትና፣
- ንገበርቲ ክፉእ ዑቕባን ጽላልን ብምሃብ።

**1869** በዚ ዓይነት'ዚ ኃጢኣት ንሰባት ኣብ ነንሓድሕዶም ናይ ክፍኣት
408:1887 ተሓባበርቲ ይገብሮም፤ ኣብ መንጎኣቶም ድማ፡ ፍትወትን ዓመጽን ተግባር-

---

[138] ቅ.ጎርጎርዮስ ዓቢይ Moralia in Job, 31, 45፡ PL 76, 621A ረአ
[139] ዘፍ 4፡10 ረአ
[140] ዘፍ 18፡20፣19፡13 ረአ
[141] ዘፀ 3፡7-10 ረአ
[142] ዘፀ 20፡20-22 ረአ
[143] ዘዳ 24፡14-15፣ኢ.ያ 5፡4 ረአ

ግፍዕን ከምዚነግሥ ይገብር። ኃጢኣት ተወሃሊሉ፣ ተጻይ መለኮታዊ ኂሩት (ሕያውነት) ንዝኾነ ማኅበረ-ሰባዊ ሃለዋትን፡ ተቅዋማትን የለዓዕል። “መሣርዕ-ኃጢኣት” (Structures of sin) ዚበሃል ድማ ናይ’ቲ በብውልቂ ዚግበር ኃጢኣት ፍሬኡን መግለጺኡን እንኪኸውን፣ እቶም ግፉዓቱ ብወገኖም ናብ ግብረ-ክፍኣት ከምዚድረኹ ይገብሮም። ብተመሳሳሊ ርድኢት ድማ፡ እቲ “ማኅበረ-ሰባዊ ኃጢኣት” (social sin) ዚበሃል የቕውሙ።[144]

## ብሓጺር

1870 ኣምላኽ ምሕረቱ ምእንቲ ክርእዮም ንኹሎም ኣብ ዘይምትእዛዝ ዓጸዎም። (ሮሜ.11፡32)

1871 ኃጢኣት ነቲ ዘለዓለማዊ ሕጊ ዚፃረር ዘረባ፡ ተግባር ወይ ሃረርታ እዩ። (ቅ.ኣጐስጢኖስ, Faust 22: PL 42, 418)። ተፃይ ኣምላኽ ዚፍጸም በደል እዩ። ክርስቶስ ንዝፈጸሞ ተኣዝዞ ብዚቃወም ኣገባብ ዘይምትእዛዝ ተፃይ ኣምላኽ ርእሰኻ ምልዓል እዩ።

1872 ኃጢኣት ተፃይ ኣእምሮ ዝኾነ ተግባር እዩ። ንባሕርይ-ሰብ ዘቑስልን ንሰብኣዊ ኅብረት (ሓድነት) ዚብድልን (ዚሃሲ) እውን እዩ።

1873 ኃጢኣት ዘበለ ኵሉ ሠራውሩ ኣብ ልቢ-ሰብ እዩ ዘሎ። ናይ ኃጢኣት ዓይነትን ክብደትን ዚውሰን ከኣ ኣውራ በቲ ዕላማኡ እዩ።

1874 ንኣምላኻዊ ሕግን፣ ነቲ ናይ ሰብ መወዳእታ ዕላማን ኣዝዩ ተፃራሪ ንዝኾነ ተግባር (ነገር) ብፍላጥን ብድላይን ኮነ ኢልካ ምሕራዩ፣ዓቢይ ኃጢኣት ምፍጻም እዩ። ብዘይካ በኣኣ ዘለዓለማዊ ብፅዕነት ኪጭበጥ ንዘይከኣል፡ ንፍቕሪ ኣባና ዜጥፍኣ ተግባር እዩ። እንተዘይተነሲሕካሉ ድማ ዘለዓለማዊ ሞት የምጽእ።

1875 ንኡስ ኃጢኣት ከኣ፣ ኣባና ህላዌኡ ብዘየቋርጽ፣ ብመደብ ፍቕሪ ኪከሓስ ዚከኣል፡ ሞራላዊ ምዝንባል የስዕብ።

1876 ወላ’ኳ ንኡስ እንተኾነ፣ ናይ ኃጢኣት ምድግጋም፡ ኣርእስተ-ኃጢኣት ዚርከቦ ክፉእ ኣመል ዜፈልፍል እዩ።

[144] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ RP 16

# ምዕራፍ ክልተ

# ሰብኣዊ ማኅበር

**1877** ናይ'ቲ ምስሊ-ኣምላኽ መርኣያን መግለጽን ኪኸውን፣ ከምኡ'ውን
355 ናይ ኣቦ ኡንኮ ውሉድ ናብ ዝኾነ ናብ'ቲ ምስሉ ኪልወጥን ኪሕደስን፣ ናይ
ዓሌትሰብ ጸዋዕታ እዩ። ነፍስወከፍና ናብ'ቲ መለኮታዊ ብፅዕነት ኪኣቱ ዝተጸወዐ
ስለዝኾነ ኸኣ፣ እዚ ጸዋዕታ'ዚ ንነፍስወከፍ ውልቀሰብ ከም ኣካል ዚምልከቶ
እንኪኸውን፣ ንመላእ ሰብኣዊ ማኅበር'ውን ዚግድስ እዩ።

## ኣንቀጽ 1
## ውልቀሰብን ፡ ኅብረተሰብን

## I. ማኅበራዊ ባሕርይ፡ ሰብኣዊ ጸዋዕታ

**1878** ኵሎም ሰባት፡ ናብ ሓደ ዕላማ፣ ናብ ኣምላኽ ብርእሱ፡ ዝተጸውዑ
1702 እዮም። ኣብ መንጎ'ቲ ናይ መለኮታዊ ኣካላት (ሥላሴ) ሓድነትን (ኅብረትን)፣
ሰባት ብሓቅን ብፍቕርን ኣብ ሓድሕዶም ዚተኸልዎ ኅውነትን ገለ ዓይነት ምስስል
ኣሎ።[1] ፍቕሪ-ብጻይ ድማ ካብ'ቲ ፍቕሪ-ኣምላኽ ዘይንጸል እዩ።

**1879** ሓደ ሰብኣዊ ኣካል ኣብ ኅብረተሰብ ኪነብር የድልዮ። ኅብረተሰብ
1936 ንወድሰብ፡ ከም ተደራቢ ዚውሰኽ ዘይኮነስ፣ ብባሕሪኡ ዜድልዮ ነገር እዩ። ምስ
ካልኦት ብዘካይዶ ናይ ምሃብን ምቕባልን ርክብ፣ ብዚፍጽሞ ሓድሕዳዊ
ኣገልግሎትን፡ ምስ ኣኅዋት ብዚገብሮ ዘተታትን ምውስሳኣትን፡ ወድሰብ በዚ
ኵሉ ነቲ ድጉል ክእለቱ የማዕብል፤ ምእንት'ዚ ኸኣ ንጸዋዕታኡ ዚግባእ ምላሽ
ይህብ።[2]

**1880** ኅብረተሰብ ኪበሃል ከሎ፣ ክንየው ነፍስወከፎም ሓሊፉ ብዚኸይድ ናይ
771 ሓድነት ዕላማን መምርሕን፡ ብሓንሳብ እሞ ብሓደ ዓይነት ንዝተጠምሩ ገለ
ጉጅለ ውልቀሰባት (ሰብኣዊ ኣካላት) የመልክት። ከም ሓደ ርኡይን መንፈሳውን
ናይ ሰባት ምትእኽኻብ መጠን፣ ኅብረተሰብ ብግዜ ዚድረት ኣይኮነን፣ ስለ'ዚ
ኸኣ ነቲ ዝሓለፈ ሓቝፉ፡ ናብ'ቲ ዚመጽእ ዘሰናዱ እዩ። ሳላ ኅብረተሰብ፣
ነፍስወከፍ ከም "ወራሲ" ኮይኑ፣ ንመንነቱን ሰብኣውነቱን ዘሃብትመሉ ፍርያት፣

---

[1] ፍሥሓን ተስፋን GS 24 § 3 ረአ
[2] ፍሥሓን ተስፋን GS 25 § 1 ረአ

ከኻዕብቶ ናይ ዘለዎ "ህያብ" (መክሊት") ተቐባሊ ኮነ።[3] ኣባሉ ንዝኾነ ማኅበራት
ተኣማንነቱ፣ ምእንቲ ናይ ሓባር ረብሓ መዝነት ንዝለበሱ ሰበሥልጣን ከኣ
ክብረቱ ኪገልጽ ግቡእ እዩ።

**1881** ነፍስወከፍ ማኅበረ-ሰብ በቲ ዝኃለኖ ዕላማኡ ይግለጽ፣ ከም ሳዕቤኑ ከኣ 1929
ንውሱን ሕግታት ይምእዘዝ። "እንተኾነ ግን፣ ናይ ኵሉ ኅብረተሰባዊ ተቐዋማት
መርሕ፣ ዋናን ቀንዲ ዕላማን እቲ (ውልቀሰብ) ሰብኣዊ ኣካል እዩ፣ ከምኡ
ኪኸውን ይግበኦ"[4]።

**1882** ከም ስድራቤትን ሃገርን ዝበለ ገሊኡ ናይ ኅብረተሰብ መልክዓት፡ 1913
ብዝበለጸን ብቐጥታን ምስ ባሕርይ ወድሰብ ዚሰማማዕ እዩ። ንሰብ ከኣ ኣድላዪ
እዩ። ኣብ ሕይወት ኅብረተሰብ ብዝለዓለ ኣኃዝ (ብዝሒ) ተሳታፍነቶም ምእንቲ
ከዕዝዙ፣ "ንኤኮኖምያውን ኅብረተሰባውን ንሕንጸተሰባውን፣ ንጥፈታት ምዝንጋዕን፣
ንስፖርትን ዝተፈላለየ ሞያዊ ተግባራትን፣ ንፖለቲካዊ ጉዳያትን"[5] ብዚርኢ፣
ብድልየትን ናጽነትን ዚቐውም ሃገራውን ኣህጉራውን ማኅበራትን ተቐዋማትን
ንኺመሃዝ ምትብባዕ የድሊ። ልዕሊ ውልቃዊ ዓቕምታት ንዝኾነ ዕላማታት
ንምጭባጥ፣ ሰባት ንሓድሕዶም ንምትእኽኻብ ዘለዎም ባሕርያዊ ዝንባሌ፣ በዚ
"ኅብረትነት" ይግለጽ። እዚ ድማ፡ ናይ'ቲ ውልቀሰብ ብቕዓትን ክእለትን፣
ብፍላይ ከኣ ናይ ተበግሶን ኃላፍነትን መንፈስ የማዕብል፤ መሰላቱ ንኸውሕስ
ከኣ ይሕግዝ።[6]

**1883** ኅብረትነት ገለ ጕድኣት'ውን የምጽእ እዩ። ብወገን መንግሥተ-ሃገር 2431
ዚግበር ካብ ልክዕ ንላዕሊ ዝኾነ ምእታው-ኢድ፣ ንውልቃዊ ናጽነትን ተበግሶን
ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ዚኽእል እዩ። ትምህርቲ ቤተክርስትያን፡ ነቲ ናይ
ምድግጋፍ (Subsidiarity) መርሕ ኣማዕቢሉ ኣሎ። በዚ መርሕ'ዚ መሠረት፡
"ሓደ ዝለዓለ ደረጃ ዘለዎ ማኅበረ-ሰብ፣ ኣብ ውሽጣዊ ሕይወት ናይ'ቲ ዝተሓተ
ማኅበረሰብ፡ ኢዱ ብምእታው፣ ነዚ ዳሕረዋይ ተግባራቱ ኪዓግት ዘይኮነ፣ የግዳስ
ከድሊ ከሎ ብሓገዙ ኪድግፎ፣ ወትሩ ሓባራዊ ጥቕሚ ብምጥማት ድማ፣ ምስ
ናይ ካልእ ወገን-ኅብረተሰብ ንጥፈታት፣ ናቱ ንጥፈታት ንከወሃህድ ኪሕግዞ
ይግባእ።"[7]

**1884** እግዚኣብሔር ንዅሉ ኣገባብ-ሥልጣን ንርእሱ ጥራሕ ኪሓዝኦ 307
ኣይደለየን። ብመሠረት'ቲ ምስ ባሕሪኡ ዚኸይድ ዓቕምታቱ፣ ንነፍስወከፍ ፍጡር 302
ኪፍጽሞ ዝኽኣለ ተግባር ሕድሪ ሂቡዎ እዩ። እዚ ኣገባብ ምንብባር ድማ ብዅሉ
ኅብረተሰባዊ ሕይወት ኪሰዓብ ኣለዎ። እቲ ብዝዓበየ ኣገባብን ክብረትን፡ ንሰብኣዊ

---

[3] *ሉቃ* 19፡13፣ 15 *ረአ*
[4] *ፍሥሓን ተስፉን* GS 25 § 1
[5] *ዮሓንስ መበል* 23 MM 60
[6] *ፍሥሓን ተስፉን* GS 25 § 2፣*መበል* 100 *ዓመት* CA 12 *ረአ*
[7] *መበል* 100 *ዓመት* CA 48 § 4፣ *ፕዮስ መበል* 11 Quadrag. anno I,184-186 *ረአ*

ናጽነት ምስክርነቱ ዚህብ፣ ኣምላኽ ንዓለም ንምንብባር ዚኸተሎ መንገዲ፣ ሰብኣዊ ማኅበራት ናይ ዘመሓድሩ ወገናት ጥበብን ልቦናን ዘብርህ ኪኸውን ይግበኦ። ምእንት'ዚ ከኣ ከም ናይ ኣምላኽዊ ጎልዮት ላእካን(ኣገልገልቲ) ኮይኖም ኪካየዱ ይግባእ።

**1885** እዚ ናይ ምድግጋፍ መርሕ፣ ንዝኾነ ይኹን ዓብላሊ ማኅበርነት (Collectivisim) ዚፃረር እዩ። ናይ መንግሥተ-ሃገር (state) ምትእትታው ዚድርት፣ ኣብ መንጎ ውልቀሰባትን ኅብረተሰባትን ንዘሎ ርክብ ከሰማምዕ ዝዓለመ እዩ። ቅኑዕ ዝኾነ ኣህጉራዊ ሥርዓት ናብ ምትካል ኣቢሉ ዝዘንበለ እዩ።

## II. ንስሓዊ ለውጥን፡ ኅብረተሰብን

**1886** ሰብኣዊ ጸዋዕታ ተፍጻሜቱ ኪረክብ እንተደኣ ኮይኑ ህላዌ ኅብረተሰብ
1779 ኣገዳሲ እዩ። እዚ ዕላማ'ዚ ምእንቲ ኪብጻሕ፣ "ንወገናት ግዙፍ ኣካልን፡ ናይ
ባሕርይ ድፍኢትን፣ ኣብ ትሕቲ'ቲ ውሽጣውን መንፈሳውን"[8] ገቢሩ ንዜግዝእ
ምስ'ቲ ቅኑዕ ናይ ቊምነገራት (ክብርታት) መሥርዕ ከምዚሰማማዕ ምግባር የድሊ፡-

2500 ቅድሚ ኹሉ፣ ኅብረተሰብ ብመንፈሳዊ ወገን ዚጥመት ምኽኑ ኪፍለጥ ይግባእ። ሰባት እምበኣር ብኅብረተሰብ ኣቢሎም፣ በቲ ብሩህ ባና-ሓቂ ተደጊፎም፣ ፍልጠት ሓድሕድ ከማዕብሉ፣ መሰሎም ኣብ ግብሪ ከውዕሉ፣ ግዴታኦም ኪፍጽሙ፣ መንፈሳዊ ቊምነገራት ንምርካብ ዘኽእሎም ሕሹኽታ ጽን ኪብሉ ይግበኦም። ከምኡ'ውን ካብ ዝኾነ ይኹን ሥርዓት ይምጻእ፣ ነቲ ካብ ሠናይ ዚርከብ ንጹሕ ታሕጓስ ብሓድሕዳዊ መንፈስ ይሳተፍዎ፣ ንዘለዎም ሕንጻተሰባዊ ውርሻ ናብ ካልኦት ከመሓላልፍዎ ስንድዋት ኪኾኑ፣ ናይ ካልኦት መንፈሳዊ ውርሻ ናቶም ኪገብርዎ ኪብህጉን ኪጽዕሩን የድሊ። እዚ ረብሓታት'ዚ ጽልዋ ምግባር ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብ ሕንጻተሰባዊ መግለጺታትን፡ ኤኮኖሚያውን ማኅበረሰባውን ተቅዋማትን፣ ኣብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳትን መልክዓትን ሕግታትን፡ ኣብ ኩሉ ካልእ፡ ኅብረተሰብ ብግዳም ዚሥረዓሉን፣ ቀጺሉ ዚምዕብለሉን ዕላማን ሽቶን ኪህብ ይርከብ።[9]

**1887** ከም መጋበሪ (መንገዲ) ጥራሕ ንዚጥመት፣ ከም ናይ መወዳእታ ዕላማ
909 ገቢርካ ምርኣዩ፣ ወይ ከኣ ንሰባት ናብ ዕላማኻ መብጽሒ ወይ መጋበሪ ምግማት፣
1869 ዕላማን መብጽሒኡን ቦታኡ ከምዝተገላበጠ የርኢ።[10] እዚ ኸኣ፡ ዘይፍትሓዊ
መሣርዓት እንከፈልፍል፣ ብወገኑ'ውን "ነቲ ንመለኮታዊ ወሃብ-ሕጊ ተኸቲሉ
ዚኸይድ ክርስትያናዊ መደብ-ሕይወት ጽጉምን ዳርጋ ዘይከኣልን ይገብሮ"[11]።

[8] መበል 100 ዓመት CA 36 § 2
[9] ዮሓንስ መበል 23 PT 36
[10] መበል 100 ዓመት CA 41 ረአ
[11] ፒዮስ መበል 12 Address at Pentecost, June 1, 1941

**1888** ምእንት'ዚ በሓቂ ንወድሰብ (ሰብኣዊ ኣካል) ከገልግል ዚኽእል ቅኑዕ 407
ማኅበራዊ ለውጢ ንምጭባጥ፣ነቲ መንፈሳውን ሞራላውን ዓቕምታቱ ምጉስጓስን፣ 1430
ብቐጻሊ እውን ውሽጣዊ ለውጢ ንኺገብር ምቕስቓስን የድልዮ። ውሽጣዊ ናይ ልቢ ለውጢ ቀዳምነት ደኣ ይወሃቦ'ምበር፣ እቲ ንሰብ ናብ ኃጢኣት ዚደፍእ ተቐዋማትን፡ ናይ መነባብሮ ሃለዋትን ንኺቕየር፣ ምስ'ቲ መደብ ፍትሒ ኣሳንዩ ንሠናይ ከሰጕም እምበር፣ ምእንቲ ከየዓንቅፍ፣ ኣድላይን ኣድማዕን ፈውሲ ክንምህዘሉ ንዘሎና ግቡእነት ኣየልግሶን፣ እኳ ደኣ ብተጻዩ ግዴታ የልብሰና።[12]

**1889** “ንኽፍኣት ኢዱ ዚህብ (ዚሰዓር) ፍርሕን፣ ንኽፍኣት ዚዋጋእ እናመሰለ፣ 1825
ግና ተመሊሱ ነቲ ክፍኣት ዘግድዶ ግብረ-ዓመጽን፣ ኣብ መንጎ'ዚ ክልቲኡ ንዘሎ ቀጢን ፈላላዪ መሥመር”፣ ሰባት ብዘይካ ሓገዝ ጸጋ-ኣምላኽ ከለልይዎ ኪፈልዩዎ ኣይከኣሎምን እዩ።[13] እዚ ኸኣ መንገዲ ፍቕሪ እዩ፣ ማለት ፍቕሪ-ኣምላኽን ፍቕሪ-ብጻይን። ፍቕሪ ናይ ማኅበራዊ ሥርዓት ዝዓበየ ትእዛዝ እዩ። ንኻልእ ዚሓፍርን፣ ንመሰላቶም ዘኽብርን እዩ። ንመደብ ፍትሒ ኣብ ግብሪ ከነውዕል ዚሓትት፣ ንኽንፍጽሞ ዘኽእለና ኸኣ ንሱ ጥራሕ እዩ። ፍቕሪ፡ ርእስኻ ንእተወፍየሉ ሕይወት ንምንባር ይድርኸካ፡- “እቲ ንሕይወቱ ከድኅና ዚደሊ ከጥፍኣ እዩ፤ እቲ ዘጥፍኣ ግና ከድኅና እዩ።”[14]

## ብሓጺር

**1890** ኣብ መንጎ'ቲ ናይ መለኮታዊ ኣካላት ሓድነትን፡ ሰባት ኣብ ሓድሕዶም ኪኸተልዎ ዚግበኦም ኅውነትን ገለ ዓይነት ምስስል ኣሎ።

**1891** ብመሠረት-ባሕሪኡ ምእንቲ ኪምዕብል፣ ወድሰብ (ሰብኣዊ ኣካል) ኣብ ኅብረተሰብ ዚነብሮ ሕይወት የድልዮ እዩ። ገሊኡ ከም ስድራቤት ሃገር ዝበለ ናይ ኅብረተሰብ ወገናት፣ ብቐጥታ ምስ ባሕርይ ወድሰብ ዚሰማማዕ እዩ።

**1892** “ወድሰብ (ሰብኣዊ ኣካል)...ናይ ኵሉ ማኅበራዊ ኣሠራርዓ፡ መርሕን፡ ዋናን፡ ዕላማን እዩ፤ ከምኡ ኪኸውን ከኣ ይግበኦ።” (ፍሥሓን ተስፋን GS 25 §1)

**1893** ብድልየትን ናጽነትን ኣብ ዝቖመ ማኅበራዊ ምትእኽኻባትን ዚግበር ሰፊሕ ዝርገሐ ዘለዎ ተሳትፎን ኪተባባዕ ዘለዎ እዩ።

**1894** በቲ ናይ ምድግጋፍ መርሕ መሠረት፣ መንግሥት-ሃገር ኮነ፣ ካልእ ዝኾነ ይኹን ዝሰፍሐ ወገን ኅብረተሰብ፣ ውልቀሰባትን

[12] ብር.ኣሕ. LG 36 ረአ
[13] መበል 100 ዓመት CA 25
[14] ሉቃ 17፡33

ካልእ መንገድና ኣካላትን ንዚገብርዎ ተበግሶን ኃላፍነት ኪትክኡ ኣይክእሉን።

1895 ኅብረተሰብ ድማ፡ መንፈሳዊ ኃይላት ዚስጉመሉን ዚፍጸመሉን ደኣ'ምበር ዚዕንቀጸሉ ኪገብር የብሉን።

1896 እቲ ማኅበራዊ ሃለዋት ብኃጢኣት ዝተበላሸወ እንኪኸውን፣ ናይ ልቢ ለውጢ ምእንቲ ኪርከብ ክትጕስጕስን፣ ጸጋ-ኣምላኽ ክትምህለልን ኣድላዪ እዩ። ፍቕሪ ቅኑዕ ንዝኾነ ለውጢ እያ እተለዓዕል። ናይ ኅብረተሰብ ማኅበራዊ ሕቶ ፍታሕ ወይ ምላሽ ዚኸውን፡ ብዘይካ ወንጌል ካልእ የልቦን። (መበል 100 ዓመት CA 3፡5 ረአ)

---

## ኣንቀጽ 2
# ኣብ ማኅበራዊ ሕይወት ምስታፍ

## I. ሥልጣን

**1897** "ንሥርዓታቱን ተቐዋማቱን ዚሕልዉሉን (ዚዕቅብሉን) ከከም ኣድላይነቱ
2234 ከኣ ንጠቕሚ ኵሉ ንኪሰርሑን ኪሓልዩን፣ ርእሶም ንኸወፍዩ ሕጋዊ ሥልጣን ዝለበሱ ሰባት እንተዘይብሉ፣ ሰብኣዊ ማኅበር ሥሩዕን ምዕቡልን ኪኸውን ኣይኽእልን።"[15]

"ሥልጣን" ኪበሃል ከሎ፡ ሰባት ወይ ተቐዋማት፡ ሕጊ ንምሥራዕ፣ ትእዛዝ ንምሃብን፡ ካብ ሰባት ከኣ ተኣዝዞ ንምርካብን ዜኽእሎም (ሕጋዊ) ብቕዓት ወይ ክእለት እዩ።

**1898** ንዝኾነ ይኹን ሰብኣዊ ማኅበር ዘመሓድሮ ሥልጣን የድልዮ እዩ።[16] ከም'ዚ ዝበለ ሥልጣን መሠረቱ ኣብ'ቲ ሰብኣዊ ባሕርይ እዩ። ንናይ ሃገር ኅብረትን ሓድነትን'ውን ኣድላዪ እዩ። ዕማሙ ከኣ ብዚከኣል መጠን ናይ ኅብረተሰብ ሓባራዊ ጠቕሚ ውሕስነት ከምዚረክብ ምግባር እዩ።

**1899** እቲ ብሞራላዊ ሥርዓት ዚድለ ሥልጣን፡ ካብ ኣምላኽ ዚመጽእ እዩ፤
2235 "ነፍስወከፍ ሰብ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ በዓል-ሥልጣን ይገዝኣዮ፤ ከመይ ካብ ኣምላኽ እንተዘይኮይኑ ካልእ ሥልጣን የልቦን። እቶም ዘለዉ ሰበሥልጣን'ውን ብኣምላኽ ዝተሠርዑ እዮም። ስለ'ዚ ኸኣ ንበዓልሥልጣን ዚቃወም፣ ኣምላኽ

---

[15] ዮሓንስ መበል 23 ሰላም ኣብ ምድሪ፡ PT 46
[16] ልዮን መበል 13 Immortale Dei; Diuturnum illud ረአ

ንዝሠርየ እዩ ዚቃወም፣ እቶም ዚቃወምዎ ድማ ኣብ ገዛእ ርእሶም ፍርዲ ከምጽኡ እዮም"።[17]

1900 ንሥልጣን ዚግባእ ኣኽብሮ ኪወሃብ፣ ነቶም ሥልጣን ዝለበሱ ድማ ከም'ቲ ዚግበኦም መጠን፡ ብምስጋናን ጽቡቕ ድላይን፡ ብኽብሪ ኪቐርቦም፡ ኩሉ ሰብ ብናይ ተኣዝዞ ግዴታ ትሑዝ እዩ። 2238

ቤተክርስትያን ምእንቲ ናይ ፖለቲካ ሰበሥልጣን እተቕርቦ ዝነበረት ኣዝዩ ጥንታዊ ጸሎት፣ እነሆ ርእሲ.ቃነጳጳሳት ቅዱስ ቀሌምንጦስ ሮማዊ ብኽም'ዚ ዚስዕብ የቕርቦ፡-[18] "ኦ! ጐይታ! ነቲ ንስኻ ዝዓደልካዮም ሉዓላውነት ብዘይወቕሳ ምእንቲ ኪፍጽምዎ ጥዕናን፡ ሰላምን፡ስኒትን ህድኣትን ጸግዎም። ናይ ዘለዓለም ሰማያዊ ንጉሥ ዝኾንካ ጐይታ! ንደቅሰባት ኣብ ልዕሊ ምድራዊ ነገራት፡ ግርማ-ክብሪ-ሥልጣን እትህብ ንስኻ ኢ.ኻ።ኦ! ጐይታ! ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ባህ ዘብል ዘበለ ብምኽታል፣ ነቲ ንስኻ ዝሃብካዮም ሥልጣን ብተወፋይነትን ብሰላምን፡ ብሕያውነትን ኣብ ግብሪ ምእንቲ ከውዕሉ'ሞ፣ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ ምእንቲ ኪረኽቡስ ንኹሉ ምኽርታቶም ምርሓዮ።[19] 2240

1901 ሥልጣን ኣብ'ቲ ብኣምላኽ ዝተተኽለ ሥርዓት ዚምደብ ካብ ኮነ፣ "ናይ ፖለቲካዊ ሥርዓት ምርጫን፣ መራሕትን ኣመሓደርትን ናይ ምምዛዝ ተግባርን ኣብ ናይ ዜጋታት ናጻ ውሳኔ ዚግደፍ እዩ"።[20]

ናይ'ቶም ዝተቐበልዎም ማኅበረሰባት ሕጋውን ሓባራውን ጠቕሚ ዘገልግሉ ክሳብ ዝኾኑ፣ ናይ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሥርዓታት ምህላው ብሞራል ቅቡል እዩ። ብባሕሪኦምን ኣቀዋውማኦምን ተጻይ ባሕርያዊ ሕጊ፣ ተጻይ ሕዝባዊ ሥርዓት፣ ተጻይ መሠረታዊ መሰላት-ሰባትን ዝኾኑ ሥርዓታት ናይ'ተን ብኃይሊ ዚገዝእወን ሃገራት ሓባራዊ ጠቕሚ ከምጽኡ ኣይከኣሎምን እዩ። 2242

1902 ናይ ሥልጣን ሞራላዊ ሕጋውነቱን ብቕዓቱን ካብ ርእሱ ኪረኽቦ ኣይክእልን። "ኣብ ናጽነት ከምዝተመርኰሰ ሞራላዊ ኃይሊ፣ ብናይ መዝነት ስምዒት"[21] ንሓባራዊ ጠቕሚ ኪሰርሕ ይግበኦ'ምበር፣ ብምልካዊ ኣገባብ ኪካየድ የብሉን። 1930

ሰብኣዊ ሕጊ፣ ናይ ሕጊ ባሕርይ ዚህልዎ፣ ምስ'ቲ ቅኑዕ ኣእምሮ (ልቦና) ብዘለዎ ስኒትን፣ ካብ'ቲ ዘለዓለማዊ ሕጊ ዚፍልፍል ብምዃኑን እዩ። ምስ ቅኑዕ ኣእምሮ ዘይሰማማዕ ብዝኾነ መጠን፡ ዘይፍትሓዊ ሕጊ እዩ፣ ስለ'ዚ ኸኣ ወገን ዓመጽ ደኣ'ምበር ናይ ሕጊ ባሕርይ ኣይህልዎን።[22] 1951

---

[17] ሮሜ 13፡1-2፣ ረአ 1 ጴጥ 2፡13-17
[18] 1 ጢሞ 2፡1-2 ረአ
[19] ቅ.ቀሌምንጦስ ዘሮሜ Ad Cor. 61፡ SCh 167, 198-200.
[20] ፍሥሓን ተስፋን GS 74 § 3
[21] ፍሥሓን ተስፋን GS 74 § 2
[22] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh I-II, 93, 3, ad 2

**1903** *ሥልጣን፡ ብሕጋውን ግቡእን ኣገባብ ኪፍጸም ዚርከብ፣ ናይ'ቲ*
2242 *ዚግድሶ ጕጅለ ሓባራዊ ረብሓ እንኪደሊ፣ ከምኡ'ውን ነዚ ንምጭባጥ ብሞራል ቅቡልን ፍቑድን ዝኾነ መጋበሪ ምስ ዚጥቀም ጥራሕ እዩ። ኣመሓደርቲ* (*መራሕቲ*) *ዘይፍትሓዊ ሕግታት እንኪእውጁ፣ ወይ ከኣ ንሞራላዊ ሥርዓት ዚፃረር ውሳኔታት እንኪገብሩ፤ ንሽምዚ ዝበለ ኣገባባት ንኺእዘዝ ብኅሊና ዚተሓዘሉ የልቦን። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ጕዳይ፣ "ሥልጣን ፈጺሙ ወዲቑ እዩ፣ ሳዕቤኑ ከኣ ፈጺሙ ዜሕንኽ ምውርጻጽ-ሕጊ* (abuse of law) *እዩ"*[23]*።*

**1904** *"ነፍስወከፍ ሥልጣን፣ ብኻልእ ሥልጣናት ኪመጣጠን፣ ደረቱ ንኸይሓልፍ ብዚሕልዎ ካልእ መዳይ-ኃላፍነት ኪመዛዘን ዝሓሸ እዩ። እዚ ናይ ሕጊ ሉዓላውነት ዚረኣየሉ ደኣ'ምበር፣ ናይ ሰባት ዓንዳሪ ዊንታ ዘይዕብልለሉ፣ መምርሒ "ግዝኣተ ሕጊ" እዩ።"*[24]

## II. ሓባራዊ ጠቕሚ (ረብሓ)

**1905** *ምስ'ቲ ማኅበራዊ ባሕርይ-ሰብ ብዚሰማማዕ መንገዲ፣ ናይ ነፍስወከፍ*
801 *ውልቀሰብ ረብሓ ምስ'ቲ ናይ ሓባር ረብሓ ብግዲ ዝተዛመደ እዩ። እቲ ሓባራዊ*
1881 *ጠቕሚ* (*ረብሓ*) *ድማ ብወገኑ ብመንፅር'ቲ ውልቀሰብ* (*ሰብኣዊ ኣካል*) *ትርጕም ይወሃቦ፡-*

> *"ናብ ውሽጥኹም ብምእታው ፈጺምኩም ተነጺልኩም ኣይትንበሩ። ድሮ ከምዝጸደቕኩም መጠን ነቲ ሓባራዊ ረብሓ ንምርካብ ብሓባር ተራኺብኩም፡ ነቲ ሓባራዊ ረብሓ ሃሰስ በሉ።"*[25]

**1906** *በዚ "ሓባራዊ ረብሓ* (*ጠቕሚ*) *ዚበሃል ቃል፣ ከም ጕጅለ ኮነ ከም ውልቀሰባት፡ ብምሉእን ምቕሉልን ኣገባብ ኣብ ተፍጻሜቱ ንኺበጽሕ ናይ ዚድግፍ ማኅበራዊ ሃለዋት ድምር ምኺኑ የስምዕ"።*[26] *እዚ ሓባራዊ ጠቕሚ ንሕይወት-ኩሉ ዚግድስ እዩ። ነፍስወከፍ ሰብ ብጥበብ ኪካየድ ይምዕድ፤ ኣውራ'ኳ እቶም ኣብ ሥልጣን ዚርከቡ። እዚ ሽኣ ሠለስተ ቀንዲ ነገራት የጠቓልል፡-*

**1907** *መዠመርያ፤ እቲ ረብሓ፡ ንሰብ ከም ሰብ መጠን ዘኽብር እዩ።*
1929 *ሰበሥልጣን-ሕዝቢ ንናይ ወድሰብ መሠረታውን ዘይትንከፍን መሰላቱ ከኽብሩ፡*
2106 *በቲ ሓባራዊ ረብሓ ይግደዱ። ኅብረተሰብ ድማ ነፍስወከፍ ኣባሉ ጸዋዕታኡ ብዚግባእ ንኪፍጽም ዕድል ኪህቦ ኣለዎ። ብፍላይ ድማ እዚ ሓባራዊ ረብሓ፣ ንምዕባሌ ሰብኣዊ ጸዋዕታ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነ ናይ ባሕርያዊ ናጽነት ኣገባብ እዩ ዚርከብ። እዚ ከኣ፡ "ብመሠረት'ቲ ቅኑዕ መምርሒ-ኅሊና ንምክያድ ዘሎካ*

---

[23] *ዮሓንስ መበል* 23 PT 51
[24] *መበል* 100 *ዓመት* CA 44
[25] *መልእኽቲ በርናባስ* 4, 10፡ PG 2, 734
[26] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 26 § 1፣ *ፍሥሓን ተስፋን* GS 74 § 1

መሰል፣ ከምኡ'ውን ..... ናይ ስትረትን፡ ብጉዳይ ሃይማኖትን እምነትን ዘሎካ ግቡእ ናጽነትን”[27] የጠቓልል።

**1908** ካልኣይ፡- ሓባራዊ ረብሓ ናይ'ቲ ጒጅለ ማኅበራዊ ብልፅግናን ምዕብልናን የድልዮ። ምዕብልና ናይ ኩሉ ማኅበራዊ ግዴታታት (ወይ ግቡእነታት) ኣምሳል እዩ። ብርግጽ'ውን፣ ኣብ መንግ'ቲ ዝተፈላለየ ንኡስ ረብሓታት ንዘሎ ኵነታት ብስም'ቲ ሓባራዊ ረብሓ ምምዝዛን ናይ ሰበሥልጣን ግቡእ ተግባር እዩ። ምግቢ፣ ክዳን፣ ክንክን ጥዕና፣ ስራሕ፣ ትምህርትን ሕንጸተሰብን፣ ብቑዕ ሓበሬታ፣ ስድራቤት ናይ ምቛም መሰል ...ወዘተ...[28] ከም'ዚ ዝበለ ብቑዕ ሰብኣዊ ሕይወት ንምንባር ዜድሊ ኩሉ፡ በቲ ኣብ ሥልጣን ዘሎ ወገን ኪቕረብን ኪጠሓጣሕን የድሊ። 2441

**1909** መወዳእታ ድማ፡ ሓባራዊ ረብሓ፡ ሰላም ይደሊ፤ እዚ ማለት ከኣ 2304
ናይ'ቲ ፍትሓዊ ሥርዓት ርግኣትን ጸጥታን እዩ። ሥልጣን እምበኣር፡ ብሞራል 2310
ቅቡል ዝኾነ ኣገባባት ተጠቒሙ፣ ናይ ኅብረተሰብን ኣባላቱን ጸጥታ ውሕስነት ከረጋግጽ ግቡእ እዩ። እዚ ድማ ብውልቂ ይኹን ብኅብረት ንዚግበር ናይ ርእሰ-ምክልኻል መሰል መሠረቱ እዩ።

**1910** ነፍስወከፍ ሰብኣዊ ማኅበር ድማ፣ ከም መጠን ሰብኣዊ ማኅበር ተቐባልነት ንኺረክብ ዘኽእሎ ናይ ሓባር ረብሓ ኣለዎ። እዚ ምሉእ ብምሉእ ግብራዊ ዚኸውን ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ማኅበረሰብ እዩ። ናይ'ቲ ሲቪል ኅብረተሰብ (ሲቪላዊ ማኅበር) ዜጋታትን፡ ኣብ መንጎኡ ናይ ዚርከቡ ኣካላትን ሓባራዊ ረብሓ ምሕላውን ምምዕባልን ናይ መንግሥተ-ሃገር (state) ተግባር እዩ። 2244

**1911** ናይ ሰባት ሓድሕዳዊ ምድግጋፍ፣ ኣብ መላእ ዓለም በብቑሩብ እናወሰኸን፡ እናሰፍሐን ይኸይድ ኣሎ። ብሓባራዊ ክብረ-ግርማ ማዕርነት ንዘለዎም ሕዝብታት ዚጥርንፍ ሓድነት ሰብኣዊ ስድራቤት፣ ኣህጉራዊ ሓባራዊ ረብሓ ከምዘሎ ዘመልክት እዩ። “ናይ ሰባት ዝተፈላለየ ድልየትን ግድነትን ኪሓሊ” ዚኽእል ዝተወደበ ናይ ሃገራት ማኅበር ኪህሉ፣ ናይ'ዚ ሓባራዊ ረብሓ ኵነት ዚሓቶ እዩ። “እዚ ድማ ከም ናይ መግቢ ሕቶ፣ ጉዳይ ጥዕናን ትምህርትን.... በዝን በትን ዚቀላቐል ገሊኡ ኵነታት፣ ንኣብነት'ኳ....ኣብ ዓለም ናይ ዝተዘርግሑ ስደተይናታት ድኽነት ምቕላልን፣ ንተመዛበልትን ስድራታቶምን ምሕጋዝ፡ ከም'ዚ ዝበለ ናይ ማኅበራዊ ናብራ ሃለዋት ዜጠቓልል እዩ”[29]። 2438

**1912** ሓባራዊ ረብሓ፡ ወትሩ ናብ ምዕብልና (ውልቀ) ሰባት ዘተኰረ እዩ። 1881
“ናይ ነገራት ሥርዓት ብደረጃኡ ኣብ ትሕቲ ናይ ሰባት ሥርዓት እዩ'ምበር፡

---

[27] ፍሥሓን ተስፋን GS 26 § 2
[28] ፍሥሓን ተስፋን GS 26 § 2 ረአ
[29] ፍሥሓን ተስፋን GS 84 § 2

ብተጻዩ ኪኸውን ኣይክእልን”[30]፤ እዚ ሥርዓት’ዚ ኣብ ሓቅን፡ ፍትሕን ዝተመሥረተን፡ ብፍቕሪ ዚንቀሳቐስን እዩ።

## III. ኃላፍነትን ተሳታፍነትን

**1913** ተሳትፎ ኪበሃል ከሎ፣ ሓደ ሰብ ብድልየትን ለጋስ ተወፋይነትን ዚፍጽሞ፣ ኣብ ማኅበራዊ ናብራ ዚካየድ ናይ ምሃብን ምቕባልን መስርሕ እዩ። ነቲ ሓባራዊ ረብሓ ኣብ ምምዕባል ነፍስወከፍ ከከም ዓቕሙን እጃሙን ኣብ ምብርካት ኪሳተፍ ኣድላዪ እዩ። እዚ ግዴታ’ዚ ኣብ’ቲ ናይ ወድሰብ ክብረ-ግርማ ዝተሰኽዐ እዩ።

**1914** እዚ ናይ ተሳትፎ ተግባር ኪጭበጥ ዚከኣል፣ ቅድሚ ኹሉ፡ ሓደ ሰብ
1734 ናይ ውልቁ ኃላፍነት ኣብ ዚወስደሉ ኵነታት ግዱስ ኮይኑ እንኪርከብ እዩ፤ ንናይ ስድራቤቱ ትምህርቲ ብዚገብሮ ኀልዮት፣ ብመንፈስ ኅሊና ብዚካየድ ስራሕ ወዘተ.... ሓደ ሰብ ኣብ ናይ ካልኦትን ናይ ኅብረተሰብን ረብሓ ይሳተፍን የበርክትን።[31]

**1915** ዜጋታት፡ ብዚከኣል መጠን ኣብ’ቲ ፖለቲካዊ ሕይወት ብንጥፈት
2239 ኪሳተፉ ይግባእ። ናይ’ዚ ተሳትፎ’ዚ ኣገባብን ባሕርይን ከከም ሃገሩን፣ ሕንጸተሰቡን ባህሉን ዚፈላለ እዩ። “ንጹሕ ኣየር ናጽነት እናስተፈሳ፣ ንዝበዝሐ ኣኃዝ ዜጋታተን ኣብ ፖለቲካዊ ሕይወት ዘሳትፍ ሥርዓታት ዘለወን ሃገራት፣ ናእዳ ዝመልኦ ክብርን ግምትን ኪወሃበን ይግባእ”።[32]

**1916** ከም ኵሉ ሥነምግባራዊ ግዴታታት፣ ሓባራዊ ረብሓ ንምጭባጥ ኣብ
1888 ዚግበር ናይ ኩሉ ተሳትፎ፡ እጃሞም ዘበርክቱ ማኅበራዊ ወገናት፡ ብቐጻሊ
2409 ዚሕደስን ዚንቀሳቐስን መደብ ንስሓ (ለውጢ) ከካይዱ የድልዮም። ምስ ናይ መደብ ፍትሒ ሕቶታት ዘየሳኒ ስለዝኾነ፣ ካብ ናይ ሕጊ ደረታትን፣ ናይ ማኅበራዊ ግቡእነት መምርሕታትን ንኸምልጡ፡ ሰባት ዚጥቀምሉ ምትላልን ካልእ ሽጣራን ብጽኑዕ ኪዅነን ይግበኦ። ንናይ ሰብኣዊት ሕይወት ሃለዋት ንምምሕያሽ ዚሕግዝ ተቕዋማት ኣብ ምምዕባል ብዙሕ ኪግበር ኣለዎ።[33]

**1917** ንኣባላት’ቲ ጕጅለ ምትእምማን ዘሕድረሎም፣ ንኣገልግሎት-ካልኦት
1818 ርእሶም ንኸወፍዩ ዘተባብዖም፡ ቁምነገር ንኪጭብጡ ዘኽእል ኵነታት ምፍጣር፡ ኣብ’ቶም ሥልጣን ዝሓዙ ወገናት ዘሎ ጕዳይ እዩ። ተሳትፎ ኣብ ትምህርትን፡ ኣብ ሕንጸተሰብን እዩ ዚጅምር። “ንዚመጽኡ ወለዶታት ዚኸውን ንሕይወትን፡

---

[30] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 26 § 3
[31] *መበል* 100 *ዓመት* CA 43 *ረአ*
[32] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 31 § 3
[33] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 30 § 1 *ረአ*

ንጽቡቕ ትምኒትን ምኽንያት ብዘለዎ ኣገባብ ገይሮም ኪሓልዩ ዚኽእሉ ወገናት፣ መጸኢ ዕድል ዓሌትሰብ ኣብ ኢዶም ከምዘሎ ክትሓስብ ዘብቀዓካ እዩ"።[34]

## ብሓጺር

1918 "ነፍስወከፍ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ በዓልሥልጣን ይግዝኣዮ፤ ከመይ ካብ ኣምላኽ እንተዘይኮይኑ ካልእ ሥልጣን የልቦን። እቶም ዘለዉ ሰበሥልጣን'ውን ብኣምላኽ ዝተሠርዑ እዮም። (ሮሜ.13፡1)

1919 ዝኾነ ይኹን ሰብኣዊ ማኅበር ንኺነብርን ንኺምዕብልን ሥልጣን የድልዮ።

1920 "ፖለቲካዊ ማኅበረ-ሰብን፣ ፖለቲካዊ ሥልጣንን፡ ኣብ'ቲ ሰብኣዊ ባሕርይ ዝተመሥረተ እዩ... ምእንት'ዚ ከኣ ናይ'ቲ ብኣምላኽ ዝተተኽለ ሥርዓት ኣካል እዩ"። (ፍሥሓን ተስፋን GS 74 § 3)

1921 ንናይ ኅብረተሰብ ሓባራዊ ረብሓ፡ ዝተወፈየ ኪኸውን እንተደኣ ኮይኑ፣ ሥልጣን ብሕጋዊ መንገዲ እዩ ዚፍጸም። እዚ ንኺርከብ፡ ብሞራል ቅቡል ዝኾነ መጋበሪ ኪጥቀም ኣለዎ።

1922 ንረብሓ'ቲ ማኅበረ-ሰብ ዘበርክቱ እንተደኣ ኮይኖም፣ ናይ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ሥርዓታት ምህላው ሕጋዊ እዩ።

1923 ፖለቲካዊ ሥልጣን፡ ብመሠረት'ቲ ሞራላዊ ሥርዓት ኪፍጸም ኣለዎ፤ ናጽነት ኣብ ግብሪ ንዚውዕለሉ ሃለዋት'ውን ውሕስነት ኪህብ ይግበኦ።

1924 ሓባራዊ ረብሓ ኪበሃል እንከሎ፣ "ሰባት ከም ጕጅለታት ወይ'ውን ከም ውልቀሰባት መጠን፡ብምልኣትን ብብቕዓትን ናብ ተፍጻሜቶም ንምብጻሕ ዚሕግዞም ናይ ማኅበራዊ ሃለዋት ኣጠቓላሊ ድምር እዩ"። (ፍሥሓን ተስፋን GS 26 § 1)

1925 ሓባራዊ ረብሓ ሠለስተ ቀንዲ ነገራት የጠቓልል፤ ናይ ሰባት መሠረታዊ መሰላት ምኽባርን ምምዕባልን፣ ናይ ኅብረተሰብ መንፈሳውን ምድራውን ረብሓ ምምዕባልን ምብልጻግን፣ ናይ'ቲ ጕጅለን ኣባላቱን ሰላምን ጸጥታን ምርግጋእ እዩ።

1926 ምእንቲ ሓባራዊ ረብሓ ምስራሕ፣ናይ ወድሰብ ክብረ-ግርማ ዚሓቶ ግድነት እዩ። ነፍስወከፍ ድማ፡ ሃለዋት ሰብኣዊት ሕይወት ዘመሓይሽ ተቕዋማት ኣብ ምምሃዝን ምድጋፍን ኪግደስ ይግባእ።

[34] ፍሥሓን ተስፋን GS 31 § 3

**1927** *ናይ ሲቪል ኅብረተሰብ ሓባራዊ ረብሓ ምሕላውን ምምዕባልን፣ ናይ መንግሥተ-ሃገር እጃም እዩ።ናይ መላእ ዓሌትሰብ ሓባራዊ ረብሓ ድማ፡ ኅብረተሰብ ብደረጃ ዓለም-ለኸ ንኺወዳደብ ዚሓትት እዩ።*

---

## ኣንቀጽ 3
# *ማኅበራዊ ፍትሒ*

**1928** *ማኅበራዊ ምትእኽኻባትን ውልቀሰባትን፡ ምስ ባሕሪኦምን ጸዋዕታኦምን*
2832 *ዚኸይድን፡ ዚግበኦምን ዜድልዮምን ንምርካብ ዘኽእሎምን ሃለዋት ኪሓልየሎም ከሎ፣ ሽው እቲ ኅብረተሰብ ናይ ማኅበራዊ ፍትሒ ውሕስነት ኣረጋጊጹ ማለት እዩ። ማኅበራዊ ፍትሒ ምስ'ቲ ሓባራዊ ረብሓን ናይ ሥልጣን መደብን ዚተኣሳሰር እዩ።*

## I. ን(ወድ)ሰብ ዚወሃብ ኣኽብሮት

**1929** *ማኅበራዊ ፍትሒ ኪጭበጥ ዚከኣል፡ ንልዑል ክብረ-ግርማ ወድሰብ*
1881 *ብምሕላውን ብምኽባርን ጥራሕ እዩ። ሰብ (ብውልቁ'ውን) ነቲ ናብኡ ገጹ ዘተኰረ፡ ናይ ኅብረተሰብ መወዳእታ ዕላማ ዚውክል እዩ፣*

> *ኣብ ጸገም ወዲቑ ዘሎስ፣ ንምሕላዉን ምምዕባሉን ፈጣሪ ዘልበሰና መዝነት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዝኾነ እዋን-ታሪኽ ዚርከቡ ሰብኡትን ኣንስትን ሰብ-ዕዳ ኮይኖም ብጸቢብ ዚሕተቱሉ እቲ ናይ ወድሰብ ክብረ-ግርማ እዩ።*[35]

**1930** *ንሰብ ዚወሃብ ኣኽብሮ፣ ነቲ ከም መጠን ፍጡር ካብ ክብረ-ግርማኡ*
1700 *ዚፍልፍል መሰላቱ ከተኽብር እውን የገድድ። እዚ መሰላት'ዚ መበቈሉ ቅድሚ*
1902 *ኅብረተሰብ እዩ፤ በኣኡ'ውን ተቐባልነትን ተፈላጥነትን ኪረክብ ግቡኡ እዩ። እዚ መሰላት'ዚ ንዝኾነ ሥልጣን መሠረት ሞራላዊ ሕጋውነቱ እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ ነዚ መሰላት'ዚ ብምንጻግ፣ ወይ ከኣ ኣብ ኣሠራርዓ-ሕጊ ኮነ ኢሉ ሸለል ዚብሎ፣ ወይ ዘይቅበሎ ኅብረተሰብ፣ ነቲ ሞራላዊ ብቕዓቱን ሕጋውነቱን ብቐንዱ እዩ ዚደፍን።*[36] *እዚ መሰላት'ዚ ዘይክበር እንተደኣኮይኑ፣ እቲ ኣብ ሥልጣን ዘሎ ወገን ነቶም ኣብ ትሕቲኡ ዘለዉ ንምእዛዝ ኃይልን ግብረ-ዓመጽን ኪጥቀም ናይ ግድን እዩ። ብዛዕባ'ዚ መሰላት'ዚ ነቶም ሰብ ጽቡቕ ድላይ ምምካርን ምዝኽኻርን፣ ከምኡ'ውን ካብ'ቲ ውሕስነት-ኣልቦን ግጉይ ግቡእነታትን፡ ፈሊኻ ምንጻር ናይ ቤተክርስትያን እጃም እዩ።*

---

[35] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ SRS 47
[36] ዮሓንስ መበል 23 PT 65

**1931** “ልዕሊ ኹሉ ሕይወቱ፡ ከምኡ’ውን ንሕይወቱ ብኽብሪ ንኺነብራ ኣድላዪ ዝኾነ ነገራት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ነፍስወከፍ ንብጻዩ (ብዘይ ሌላን ጕሌላን) “ከም ርእሱ” ገቢሩ ኪግምትን ኪጥምትን” ንዚብል[37] መምርሒ ምኽባር፣ ንወድሰብ ዚወሃብ ክብሪ ካብኡ ኪፍልፍል ይርከብ። ዝኾነ ይኹን ኣሠራርዓ-ሕጊ ባዕሉ ከኣ፣ ሓቀይና ኅውነት ዝዓዘዞ ኅብረተሰብ ንምትካል ንዚዕንቅጽ ፍርሒን ቅዱም ፍርድን፣ ኣተና ትዕቢትን ስስዕትን ከልግሶ ኣይክእልን እዩ። እዚ ከም’ዚ ዝበለ ጠባያት ኪውገድ ዚከኣል፣ ንኹሉ ሰብ ከም “ብጻይ” ከም ኃው ብእትጥምት መደብ ፍቕሪ ጥራሕ እዩ። 2212

**1932** ብዝኾነ ይኹን መዳያት-ሕይወት ነቶም ዝሰንከሉ ብዚርኢ እንኪኽውን፣ እዚ ርእስኻ ንኻልኡት ብጻይ ብምግባርን ብንጥፈት ምግልጋሎምን ዚብል ግዴታ ኣዝዩ ህጹጽ ይኸውን። “ንሓደ ካብዞም ዝነኣሱ ኣኅዋተይ ዝገበርኩምዎ ነኣይ ኢኹም ዝገበርኩምዎ”[38]። 2449

**1933** እዚ ግዴታ’ዚ (ግቡእነት) ካባና ዝተፈልየ ኣተሓሳስባ ኮነ ኣገባብራ ናብ ዘለዎም’ውን ዚበጽሕ እዩ። እቲ ትምህርቲ-ክርስቶስ ንበደላት ክሳብ ምምሓር ዚሓትት እዩ። ናይ ሓዲሽ ሕጊ መምርሒ ንዝኾነ ትእዛዝ ፍቕሪ፡ ክርስቶስ ንኵሎም ጸላእቲ’ውን ከይተረፉ ከምዚሓቍፍ ይገብሮ።[39] መንፈስ ወንጌል ዝዓዘዞ ሓርነት፡ ከም መጠን ሰብ ንጸላእኻ ክትጸልኦ ዘየፍቅድ እንኪኸውን፣ ጸላኢ ከም ጸላኢ ንዚገብሮ ክፍኣት ግን ዚጸልእ እዩ። 2303

## II. ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ማዕርነትን ፍልየትን

**1934** ኵሎም ሰባት ብኣምሳል ሓደ ኣምላኽ ዝተፈጥሩ፣ ብማዕርነት ከኣ ነባቢት (ለባዊት) ነፍሲ ዝተዓደሉ፣ ሓደ ባሕርይን ሓደ መበቈልን ዘለዎም እዮም። ብመሥዋዕቲ-ክርስቶስ ስለዝደሓኑ ኸኣ፣ ኵሎም ኣብ’ቲ ሓደ መለኮታዊ ብፅዕነት ኪሳተፉ ተጸዊዖም ኣለዉ፣ምእንት’ዚ ከኣ ኵሎም ምዕሩይ ክብረ-ግርማ ኣለዎም። 225

**1935** ናይ ሰባት ማዕርነት፣ ብቐዳምነት ከም መጠን ሰባት ኣብ ዘለዎም ክብረ-ግርማን፣ ካብ’ዚ ኣብ ዚፍልፍል መሰላትን ዝተመርኰሰ እዩ፡ 357

> *ኣብ ፆታ፣ ዓሌት ሕብሪ-ቈርበት፣ ማኅበራዊ ሃለዋት፣ ቋንቋ ወይ ሃይማኖት (እምነት) ዝተመሥረተ፡ ኣብ ወገን መሠረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ዚረአ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ማኅበራዊ ወይ ሕንጸተሰባዊ ፍልልይ፡ ምስ መደብ-ኣምላኽ ዘየሳኒ ምኻኑ ተገሚቱ፡ ኪዕገት ወይ ፈጺሙ ኪውገድ ዚግበኦ እዩ።*[40]

---

[37] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 27 § 1
[38] *ማቴ* 25፡40
[39] *ማቴ* 5፡43-44 *ረአ*
[40] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 29 § 2

**1936** *ሰብ ናብ'ዚ ዓለም'ዚ ኪመጽእ ከሎ፣ ሥጋውን መንፈሳውን ሕይወቱ*
1879 *ዘማዕብል ነገራት ኵሉ ብምሉኡ ሒዙ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ካብ ካልኦት ይደሊ እዩ። ምስ ዕድመ፡ ግዙፍ ኣካላዊ ብቕዓት፣ ኣእምሮኣውን ሞራላውን ተውህቦ፣ ካብ ማኅበራዊ ምልውዋጥ ዚመጽእ ረብሓ፣ ከምኡ'ውን ምስ ምዝርጋሕ-ሃብቲ ዚተኣሳሰር ፍልየት ኣሎ።*[41] *እቲ "ፍሉይ ህያባት" (መክሊት) ብማዕረ ዝተዘርግሐ ኣይኮነን።*[42]

**1937** *እዚ ፍልየት'ዚ ናይ መደብ-ኣምላኽ ኣካል እዩ። ነፍስወከፍ ነቲ ዘድልዮ*
340 *ካብ ካልኦት ኪረኽቦ፣ እቶም "ፍሉይ ክእለት" ዝተዓደሉ ድማ፡ ንናይ'ዚ*
791 *ትዕድልት'ዚ ረብሓ፡ ምስ'ቶም ከምኡ ዝበለ ዜድልዮም ወገናት ብሓባር*
1202 *ኪጥቀሙሉ ድላይ-ኣምላኽ እዩ። ውልቀሰባት መደብ ርኅራኄን ሕያውነትን፣ ናይ ረብሓታት ሓባራዊ ሱታፌን፡ ምእንቲ ከዘውትሩ እዚ ዝተጠቕሰ ፍልየት የተባብዖምን ይግድዶምን። ናይ ሕንጸተሰባዊ ባህልታት ሓድሕዳዊ ምምሕያሽ ዘማዕብል እዩ፡-*

> *ነቲ መንፈሳዊ ኃይላት፡ ብዝተፈልየ መንገዲ ክዕድሎ እመርጽ፤ ኵሉ ኃይላት ንሓደ ሰብ ክህቦ ኣይደልን፤ ገሊኡ ንሓደ ገሊኡ ኸኣ ንኻልኦት...... ብቕዳምነት ንፍቕሪ ንሓደ ክህባ ኣሎኒ፤ ፍትሒ ንኻልእ፤ ትሕትና ነዚ፣ ሕያው እምነት ድማ ነቲ ካልእ ....እነሆ እምበኣር መንፈሳዊ ኮነ ምድራዊ ብዙሕ ህያባትን ጸጋታትን ብዝተፈላለየ ዓይነት ብምዝርጋሕ፣ ንዅሉ ነገር ንሓደ ሰብ ንውልቁ ኣይዓደልኩን። እዚ ኸኣ፡ ኣብ ነንሓድሕድኩም ፍቕሪ ምዝውታር ምእንቲ ክትግደዱ ኢለ እየ... እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ገለ ነገር ኪደሊ፣ ስለ'ዚ ከኣ ነቲ ካባይ ዝተቐበልዎ ጸጋታትን ህያባትን ኣብ ምዕዳል ኵሎም ልኡኻተይ ኣገልገልተይ ኪኾኑ ድልየተይ እዩ።*[43]

**1938** *ሚልዮናት ንዝኾኑ ሰብኡት ኮኑ ኣንስቲ ዚትንክፍን ዘሰክፍን*
2437 *ዘይምዕሩይ ኃጢኣተይና ኣገባባት ከኣ ኣሎ። እዚ ግልጺ ብዝኾነ መንገዲ ተጻይ ወንጌል ዝቖመ እዩ፡-*

2317
> *ከም መጠን ሰባት ዘለዎም ምዕሩይ ክብረ-ግርማ፣ ምስኡ ንዚመጣጠንን ኣዝዩ ሰብኣዊ ንዝኾነን ሃለዋት ንክንመጣጠር ዚሓተና እዩ። ኣብ መንጎ'ቶም ሓደ ሰብኣዊ ዓሌት፡ዝኾኑ ውልቀሰባትን ሕዝብታትን፡ዚረአ ኤኮኖምያውን ማኅበራውን ኣዝዩ ዘኽፈአ ዘይምዕሩይ ሃለዋት ምንጪ ዕንቅፋትን ብስጭትን እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ ተጻይ ማኅበራዊ ፍትሒ፣ ተጻይ ርትዕን ሚዛናውነትን፣ ተጻይ ሰብኣዊ ክብረ-ግርማን፡ ከምኡ'ውን ተጻይ ማኅበራውን ኣህጉራውን ሰላም ዚጸብእ እዩ።*[44]

[41] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 29 § 2 *ረአ*
[42] *ማቴ* 25፡14-30፣*ሉቃ* 19፡27 *ረአ*
[43] *ቅ.ካተሪና ዘ-ሴና* Dial. I, 7
[44] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 29 § 3

## III. ሰብኣዊ ኅብረት (ሓድነት፣ Solidarity)

1939 እቲ ብመደብ (ዕርክነት) "ምሕዝነት" ወይ ከኣ ብ"ማኅበራዊ ፍቕሪ" ዚቐውምን ዚተኣሳሰርን፡ ናይ ኅብረት (Solidarity) መርሕ፡ ሰብኣውን ክርስትያናውን ኅውነት[45] ብቐጥታ ዚሓቶ (ዚደልዮ) እዩ። 2213

"ሎሚ ኣብ ኵሉ ኣዝዩ ሰፊሑ ዘሎ ጌጋ፣ እቲ ብመንፅር ሕጊ ወይ መደብ ሰብኣዊ ኅብረትን ፍቕርን (Solidarity) ዚረአ ሸለልትነት እዩ። ሰባት ናይ ዝኾነ ይኹን ሃገር ይኹኑ ብዘየገድስ፣ እዚ መደብ ሰብኣዊ ኅብረት፣ በቲ ኣብ ኵላቶም ዘሎ ናይ ለባዊት ባሕርይ ማዕርነትን፣ ናይ ሓባር መበቈልና ብዝኾነት ዝተሓንጸጸን ዝተሓገገን እዩ። እዚ ሕግ'ዚ ድማ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ'ቲ መሥዋዕቲ መስቀል፡ ምእንቲ ኃጢኣተይና ዓሌትሰብ ናብ ሰማያዊ ኣቦኡ ብዘወፈዮ መሥዋዕተ ድኅነት ዝተኀትመ እዩ።[46] 360

1940 መንፈስ ኅብረት፡ ዚግለጸሉ፣ ቅድሚ ኹሉ ብናይ ምድራዊ ነገራት ምምቕራሕን ምዝርጋሕን፣ በቲ ንስራሕ ዚወሃብ ደሞዝን (ዓስብን) እዩ። ከምኡ ድማ ወጥርን ምጥምማትን ብዝበለጸ ዚሃድኣሉ፣ ምስሕሓባት'ውን ብዘተ ዚፍተሓሉ፣ ምእንት'ቲ ዝበለጸ ፍትሓውን ማኅበራውን ሥርዓት ዚግበር ጻዕሪ ኣብ ግምት ዜእቱ እዩ። 2402

1941 ማኅበረ-ኤኮኖምያዊ ግድላት፡ ኪፍታሕ ዚከኣል ብኹሉ ዓይነት-ኅብረት ካብ ዚመጽእ ሓገዝ ጥራሕ እዩ።እዚ ኸኣ፣ድኻታት ኣብ ነንሓድሕዶም ዚገብርዎ ኅብረት፣ ኣብ መንጎ ሃብታማትን ድኻታትን፣ ኣብ መንጎ ሰራሕተይናታት ንሓድሕዶም ኣብ መደብ ንግዲ ኣብ መንጎ ወሃብቲ ስራሕን ሰራሕተይናታትን፣ ኣብ ሃገራትን ሕዝብታትን ዚፍጸም ኅብረት እዩ። ኣህጉራዊ ወይ ዓለምለኻዊ ኅብረትን እቲ ሞራላዊ ሥርዓትን ኣድላዪን ኣገዳስን እዩ። ብገሊኡ ወገንስ እቲ ናይ ዓለም ሰላም ኣብ'ዚ እዩ ዚምርኰስ። 2317

1942 እዚ ሰብኣዊ ኃይሊ-ኅብረት ስፍሓቱ ክንየው'ቲ ግዙፍ ኣቕሑትን 1887
ንብረትን ዚሓልፍ እዩ። ናይ እምነት መንፈሳዊ ነገራትን ጸጋታትን ኣብ 2632
እተስፈሓሉ፣ ቤተክርስትያን፡ ነቲ ምድራዊ ነገራት ከይተረፈ ንዘማዕብል ሓደስቲ መንገድታትን ብልኃትን ከፊታን ኣንቀሳቒሳን እያ። ምእንት'ዚ ከኣ፡ "ንስኻትኩም ግና ቅድም መንግሥቲ-ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፣ እዚ ኵሉ ድማ ኪውሰኸልኩም እዩ"[47] ዝተባህለ ናይ ጐይታ ብሂል፣ ኣብ ዝሓለፈ ኣማኢት ዓመታት ሓቅነቱ ኪረጋገጽ ከኣለ።

ኩሉ ሰብ ብዚከኣሎ መጠን፡ ሰብኣውን ክርስትያናውን ብቑዕ ሕይወት ንምንባር ዘኽእሎ ማኅበራዊ ሃለዋት ምእንቲ ከወፍዩሉ፣ ንባራዩ ሓራ መውጻእቲ፣ ንሕሙማን ፈወስቲ፣ ናይ እምነት መበሠርቲ፣ ንኵሎም

[45] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ SRS 38-40፣ መበል 100 ዓመት CA 10
[46] ፕዮስ መበል 12 Summi pontificatus, October 20, 1939; AAS 31 (1939) 423 ff.
[47] ማቴ 6፡33

ወለዶታትን ሕዝብታትን ዚኸውን ሥልጣነን ሳይንስን መምጻእቲ ምእንቲ ኪኾኑ፣ ኸዑ ኮነ ሕጂ ነቶም ኣብ ገዳም ዝኣተዉ መንም ሓረስቶት ኣብ ነፍሳቶም ጅግንነታዊ ዝኾነ መንፈስ-ፍቕሪ ኣሕደረ። እዚ ስምዒትን ርድኢትን'ዚ ከኣ ንኸልተ ሽሕ ዓመት ኣብ ናይ ቤተክርስትያን መንፈስን ምንቅስቓስን ሠሪጹ ይርከብ ኣሎ።[48]

## ብሓጺር

1943 ማኅበራዊ ምትእኽኻባት ኮነ ውልቀሰባት ዘዚግበኦም ዚረኽቡሉ ሃለዋት ብምጥጣሕ፣ ኅብረተሰብ፡ ናይ ማኅበራዊ ፍትሒ ውሕስነት ኪህብ ይርከብ።

1944 ንሰብ (ውልቀሰብ) ዚወሃብ ኣኽብሮ፡ ነቲ ካልእ "ከማኻ ዝበለ" ኣብ ግምት ዜእቱ እዩ። ነቲ ኣብ ሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ኣብ ውሽጡ ዝተሰኹዐ'ሞ፡ ካብኡ ዚፍልፍል መሠረታዊ መሰላት ምኽባር ዚሓትት እዩ።

1945 ማዕርነት ሰባት፣ ሰባት ከም መጠን ሰባት ንዘለዎም ክብረ-ግርማን፡ ካብኡ ንዚፍልፍል መሰላትን ዚምልከት እዩ።

1946 እቲ ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ፍልየት፣ ኣካል መደብ-ኣምላኽ እዩ። ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ንኺደሊ ድማ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። እዚ ፍልየት'ዚ ግን ፍቕሪ ከነቓቕሕ ይግባእ።

1947 ኣዝዩ ንዝተጋነነ ዘይምዕሩይ ኤኮኖምያውን ማኅበራውን ሃለዋት ንምምሕያሽ ዚግበር ጻዕሪ፣ ናይ ሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ማዕርነት ዚሓቶ ጒዳይ እዩ። ኃጢኣት ዝነገሡ ዘይምዕሩይ ሃለዋት ምእንቲ ኪውገድ ህጹጽ ስጒምቲ ኪግበር ይግባእ።

1948 መንፈስ ኅብረት (ሓድነት Solidarity) ኣዝዩ ክቡር ዝኾነ ክርስትያናዊ ሰብኣዊ ኃይሊ እዩ። ልዕል'ቲ ግዙፍ ምድራዊ ኣቕሑን ንብረትን፡ ኣብ ሱታፌ መንፈሳዊ ነገራትን ሃብትን ዝዘንበለ እዩ።

[48] ፒዮስ መበል 12 Discourse, June 1,1941

# ምዕራፍ ሠለስተ

# ድኅነት ኣምላኽ፡ ሕግን ጸጋን

**1949** ናብ መደብ ብፅዕና ዝተጸወዐ፣ ግና ኸኣ ብኃጢኣት ዝተወጸዐ ወድሰብ ካብ ኣምላኽ ድኅነት የድልዮ እዩ። መለኮታዊ ረድኤት ድማ ብክርስቶስ፡ ማለት በቲ ዚመርሕ ሕግን፣ በቲ ዚድግፎ ጸጋን ኣቢሉ (ንሰብ) ይመጽኦ።

> ብፍርሃትን ብራዕድን ምእንቲ ናይ ገዛእ ርእስኹም ድኅነት ስርሑ። ከመይ'ሲ ኣምላኽ ብፍቕሩ ንዝመደቦ ምእንቲ ክትደልዩን ክትገብሩን፣ ኣምላኽ ባዕሉ እዩ ኣባኻትኩም ዚዓዪ።[1]

## ኣንቀጽ 1
## ሞራላዊ ሕጊ

**1950** ሞራላዊ ሕጊ ናይ ጥበብ-ኣምላኽ ስራሕ እዩ። ብናይ ቅዱስ መጽሓፍ 53
ሓሳብ፡ ከም ኣባታዊ መምርሕን ትምህርትን፣ ከም ኣምላኻዊ መደብ መዕበያን 1719
ኪትርጐም ይከኣል። ናብ'ታ ዝተዋህበቶ ናይ ብፅዕነት ተስፋ ምእንቲ ኪበጽሕ ንወድሰብ ዚመርሖ መንገድን፣ ዚኽተሎ ናይ ኣከያይዳ ሕግታትን ዚሕንጽጾ፣ ካብ ኣምላኽን መደብ ፍቕሩን ዘርሕቖ መንገዲ-ክፍኣት ኣየናይ ምዃኑን ብሥርዓት ዘመልክተሉ እዩ። ኣብ ሕግታቱ ጽኑዕ፣ ምስኡ ማዕረ ማዕረ ድማ ብዚህቦ ተስፋታቱ ኪፍቀር ዚግበኦ እዩ።

**1951** ሕጊ ኪበሃል ከሎ፣ ምእንቲ ሓባራዊ ረብሓ፡ ብሕጋዊ ሥሩዕ በዓል 295
ሥልጣን ዚወሃብ መምርሒ ተግባር (ኣከያይዳ) እዩ። ሞራላዊ ሕጊ ንረብሓኦምን 306
ንመወዳእታ ዕላማኦምን ምእንቲ ከገልግል ተባሂሉ ኣብ መንጎ ፍጡራን፣ ብናይ ፈጣሪ ክእለትን (ሥልጣንን) ጥበብን ኂሩትን (ሕያውነትን) ንዝተተኽለ ጥበበይና (ለባዊ) ሥርዓት የመልክት። ኵሉ ሕጊ ዘበለ፡ መዠመርያን መወዳእታን ሓቅነቱ ኣብ'ቲ ዘለዓለማዊ ሕጊ ይረኽቦ። እቲ ሕያው ፈጣርን መድኃኒ ዅሉን ዝኾነ ኣምላኽ ኣብ ኃልዮቱ ከም ናይ ምስታፍ መርኣያ ኮይኑ ሕጊ፡ ብኣእምሮ (ልቦና) ይትከልን ይእወጅን። "ከም'ዚ ዝበለ ናይ ኣእምሮ ሥርዓትን መደብን ሕጊ ንብሎ"።[2]

> ኣብ መንጎ ኵሎም'ቶም ሕይወት ዘለዎም ፍጡራን፣ ካብ ኣምላኽ ሕጊ ንኺቕበል ብቕዓትን ክብረትን ዝረኸበ እንተ'ሎ ሰብ ንውልቁ ጥራሕ እዩ። 301

[1] ፊልጵ 2፡12-13
[2] ልዮን መበል 13 Libertas praest. AAS 20(1887/88) 597፣ቅ ቶማስ ኣኵናስ STh I-II, 90 1 ረአ

> ኣእምሮ (ልቦና) ዝተዓደለ፣ ኪርዳእን ኪመምን ዓቕሚ ዘለዎ ፍጡር ከም ምዃኑ መጠን፣ ኩሉ ነገር ኣብ ትሕቲኡ ገቢሩ ሕድሪ ንዝሃቦ ፈጣሪ እናተኣዘዘ፣ ናጽነቱን ኣእምሮኡን ተጠቒሙ ኣካያይዳኡን ኣገባብራኡን (ጠባዩን) ኪመርሕ ዝተመደበሉ እዩ።[3]

**1952** ነንሓድሕዱ ዚራኸብን ዚጠናነግን ዝተፈላለየ ናይ ሞራላዊ ሕጊ መግለጽን መጸውዕን ኣሎ፡- (1) ዘለዓለማዊ ሕጊ፡- ኣብ ኣምላኽ ዚርከብ ናይ ኩሉ ሕጊ ምንጪ፤ (2) ባሕርያዊ ሕጊ፣ (3) ዝተገልጸ ሕጊ፡- ነቲ ብሉይ ሕግን ሓዲሽ ሕግን ወይ ሕጊ-ወንጌል ዘጠቓልል፤ መወዳእታ ድማ (4) ሲቪላዊ(ሥጋዊ) ሕግን፣ (ናይ ቤተክርስትያን) መንፈሳዊ ሕግን።

**1953** ሞራላዊ ሕጊ፡ ምልኣቱን ሓድነቱን ኣብ ክርስቶስ ይረኽቦ። ኢየሱስ
578 ክርስቶስ ብኣካል እቲ መንገዲ ፍጽምና እዩ። ንሱ ጽድቀ-ኣምላኽ ጥራሕ ስለዚምህርን ስለዚዕድልን፣ ክርስቶስ ንባዕሉ ናይ'ቲ ሕጊ ዕላማ እዩ፣ "ዚኣምን ዘበለ ኹሉ ምእንቲ ኪጸድቕ፣ ክርስቶስ ናይ'ቲ ሕጊ (ሙሴ) መዛዘሚ እዩ"[4]።

# I. ባሕርያዊ ሕጊ-ሞራል

**1954** ሰብ ኣብ ናይ ፈጣሪ ጥበብን ኺሩትን ኪሳተፍ ዝተዓደለ እዩ። ፈጣሪ
307 ድማ ንሰብ ናይ ተግባራቱ ዋናን፣ ብመንፅር'ቲ ሓቀይናን ሠናይን ዘበለ ርእሱ
1776 ከነባብርን (ኪመርሕ) ዓቕሚ ሃቦ። ባሕርያዊ ሕጊ፡ ነቲ ቀንድን መሠረታውን ሞራላዊ ስምዒት ዚገልጽ እንኪኾውን፣ እዚ ሞራላዊ ስምዒት እዩ ንሰብ ብኣእምሮኡ ተጠቒሙ ክፉእን ጽቡቕን፡ ሓቅን ሓሶትን ኪፈሊ ዝኽእሎ።

> ጽቡቕ ንኺገብር፡ ኃጢኣት ንኽወግድ፡ ንሰብ ዚእዝዞ እቲ ሰብኣዊ ኣእምሮ (ልቦና) ስለዝኾነ፣.... ባሕርያዊ ሕጊ ኣብ ናይ ነፍስወከፍን ኵሉ ሰብን ጎሊና ዝተጻሕፈን ዝተቐርጸን እዩ። እንተኾነ መንፈስናን ኣእምሮናን ናጽነትና ኪግዝኦ ናይ ዘለዎ ናይ'ቲ ዝለዓለ ኣእምሮ (ፈጣሪ) ድምፅን ተርጓምን እንተዘይከውን፡ እዚ ናይ ሰብኣዊ ኣእምሮ ትእዛዝ ናይ ሕጊ ኃይሊ ኣይምረኸበን።[5]

**1955** እቲ "መለኮታውን ባሕርያውን" ሕጊ[6] ሰብ ጽቡቕ ንኺገብርን፣
1787 ዕላማኡ ንምጭባጥን ኪኽተሎ ንዘለዎ መንገዲ የመልክተሉ። እቲ ባሕርያዊ ሕጊ፡
396 ነቲ ቀንድን ቀዳማይን ዝኾነ፣ ንሞራላዊ ሕይወት ዚመርሕ ሕጊ ይሕንጽጽ።
2070 ምስ'ዚውን እዚ ባሕርያዊ ሕጊ፣ ምንጪ-ሠናይን፡ ፈራዲ-ኵሉን ንዝኾነ ኣምላኽ ምስ ዘሎና ባህግናን፡ ነኣኡ ተገዛእነትናን፣ ከምኡ'ውን፡ እቲ ካልእ ብጻየይ እዩ ኣብ ዚብል ስምዒት ዝለገበ እዩ። እቲ ቀንዲ ትእዛዛቱ ኣብ'ቲ ዓሠርቱ ቃላት

---

[3] ተርቱሊያን Adv. Marc, 2, 4፡ PL 2, 288-289 ረአ
[4] ሮሜ 10፡4
[5] ልዮን መበል 13 Libertas praestantissimum, 597
[6] ፍሥሓን ተስፋን GS 89 § 1

ይግለጽ። እዚ ሕግ'ዚ "ባሕርያዊ" ዚበሃል ድማ፡ ነቶም ዘይለባውያን ፍጡራት ብመንፅር ባሕሪኦም ዘይኮነስ፣ እቲ ዚድንግጎ ኣእምሮ (ልቦና) ናይ'ቲ ሰብኣዊ ፍጡር ባሕርይ ስለዝኾነ እዩ፡-

> ሓቂ ክንብል ኣብ እንሰምዖ መጽሓፍ፡ እንተዘይኮይኑ፣ እዚ ሕግታት'ዚ ኣብ ካልእ ኣበይስ ኣበይ ተጻሒፉ ይርከብ? ኩሉ ፍትሓዊ ሕጊ ኣብኡ ተጻሒፉ ኣሎ፤ ካብኡ ድማ እቲ ሕጊ፣ ናብ'ቲ ፍትሒ ዚፍጽም ሰብ ናብ ልቡ ይሠርፅ። እዚ ኸኣ ናብኡ ይግዕዝ ማለት ዘይኮነስ፣ ከምቲ ኣብ ካትም (ቀለቤት) ዚርከብ ማንተም፡ ነቲ ካትም ከይለቐቐ፡ ናብ'ቲ ስምዒ ዚሓልፍ፡ እቲ ሕጊ ኣብ'ቲ ልቢ ኣሰሩ የኀትም።[7]

> ባሕርያዊ ሕጊ ኪበሃል ከሎ፡ ኣምላኽ ኣባና ዘንበሮ ናይ ምስትውዓል ብርሃን እምበር ካልእ ኣይኮነን። በኣኡ ገቢርና ክኣ እቲ ክንፍጽሞን፡ ክነወግዶን ዚግበኣና ነገራት ንፈልጥ፤ ድሮ ኣብ እዋን ፍጥረት፡ ኣምላኽ ነዚ ብርሃን'ዚ ወይ ሕጊ ሂቡ እዩ።[8]

**1956** ኣብ ልቢ-ነፍስወከፍ ሰብ ዝተኀትመን፡ ብኣእምሮ ዝተተኸለን ባሕርያዊ ሕጊ፣ ብትእዛዛቱ ሓፈሻዊ፡ ንኹሉ ዚሓቍፍ እዩ፤ ሥልጣኑን ኃይሉን ክኣ ናብ ኵሎም ሰባት ይበጽሕ። ናይ ሰብ ክብረ-ግርማ ይገልጽ፤ ነቲ መሠረታዊ ግቡኣቱን መሰላቱን መሠረት ዝኾኖ ነገራት የነጽር፡ 2261

> ብርግጽ ኡነተይና ሕጊ ኣሎ፡- እዚ ኸኣ እቲ ቅኑዕ ኣእምሮ እዩ። እዚ ሕግ'ዚ ምስ ባሕርይ ዘሳኒ እዩ፤ ኣብ ኵሎም ሰባት ዝተዘርግሔ፣ ዘይለዋወጥን ዘለዓለማውን እዩ። ትእዛዛቱ ግቡእካ ንክትፍጽም ይሕግዝ፣ እገዳኡ ድማ ካብ ምብዳል ይሠውረካ፣.... ተጻዩ ብዝኾነ ሕጊ ምትካኡ ኣብ ልዕሊ መንፈሳዊ ነገር ከም ምርኻስ እዩ፤ ነቲ ትእዛዛቱ ኣብ ምፍጻም ጕድለት ኪርከብ ኣየፍቅድን፤ ብምሉኡ ከፍርሶ ዚኽእል ወላ ሓደ'ኳ የልቦን።[9]

**1957** ባሕርያዊ ሕጊ፣ ኣፈጻጽማኡ ኣዝዩ ዝተፈላለየ እዩ። ከከም ቦታኡን ግዜኡን ኵነታቱን፣ ንዝተፈላለየ ሃለዋት-ሕይወት ኣብ ግምት ዘእተወ ኣስተንትኖን ግምገማን ዚሓትት እዩ። ዝኾነ ኾይኑ፣ ኣብ'ዚ ዝተፈላለየ ባህልን ሕንጸተሰብን ዘለዎ፣ ባሕርያዊ ሕጊ ንሰባት ንሓድሕዶም ዚጠምሮምን፣ ክንየው'ቲ ዘይተርፍ ፍልየት ድማ፡ ብሓባራዊ መምርሕታት ዚኣስሮምን እዩ።

**1958** ኣብ ኩሉ'ቲ ዝተፈላለየ ናይ ታሪኽ እዋናትን ኵነታትን ባሕርያዊ ሕጊ ዘይልወጥን ነባርን እዩ።[10] ቀጺሉ ኣብ ዚልወጥ ዋሕዚ-ሓሳባትን ባህልታትን፡ ባሕርያዊ ሕጊ ልሕግ ኢሉ ይቕጽልን፣ ከይተለወጠ ንምዕባሌኡ ይድግፍን። እቲ ነኣኡ ዚገልጽን ዘረጋግጽን ሕግታት ብቐንዱ ብቑዕ ኮይኑ ይነብር። ብወገን'ቲ ቀንዲ መምርሕታቱ'ኳ ኪንጸግ እንተተረኽበ፣ ካብ ልቢ-ወድሰብ ግን ፈጺሙ 2072

---

[7] **ቅ.ኣጕስጢኖስ** De Trin. 14, 15, 21፡ PL 42,1052.
[8] **ቅ.ቶማስ ኣኲናስ** Dec. præc. I
[9] **ቺቸሮ** (ሳይሰሮ) Rep. III, 22, 33
[10] **ፍሥሓን ተስፋን** GS 10

ኪእለን ኪሕከኽን ኣይክእልን። ወትሩ ኸኣ ኣብ ሕይወት ውልቀሰባትን ኅብረተሰባትን ኪትንሥእ ይነብር።

> ኦ ጐይታ! ስርቂ ብርግጽ ኪቕጻዕ እዩ፤ ብሕግኻን፣ በቲ ኣብ ልቢ ወድሰብ ዝተጻሕፈን፡ ክፍኣት ብቐንዱ'ውን ኬልግሶ ብዘይከኣል ሕጊ ዚቕጻዕ እዩ።[11]

**1959** ኣዝዩ ብሉጽ ስራሕ-ፈጣሪ ዝኾነ ባሕርያዊ ሕጊ፣ ንሰብኣዊ ምርጫታቱ
1879 ዚመርሕ፣ መሣርዕ ሕጊ-ሞራል ኣብ ልዕሊኡ ዚሓንጸሉ ድልዱል መሠረት
ከሰናዱ ይርከብ። ሰብኣዊ ማኅበር ንምሕናጽ ኣድላዪ ዝኾነ ሞራላዊ መሠረታት
ንምንባር'ውን እጃሙ የበርክት። ኣብ መወዳእታ ድማ፣ እንተስ ካብ'ቲ መምርሕታቱ
ተበጊሱ ብዚዛዝሞ መርመራ ተሓጊዙ፣ እንተስ ኣወንታውን ሕጋውን ባሕርይ
ብዘለዎ ገለ ተውሳኺት ተደጊፉ፣ ነቲ ምስኡ ዝተጠናነገ ሲቪላዊ ሕጊ ኣድላዪ
ዝኾነ መንጸፍ የጣጥሓሉ።

**1960** ናይ ባሕርያዊ ሕጊ ትእዛዛት (መምርሕታት) ንኹሉ ሰብ፡ ተነጺሩን
2071 ተዘርዚሩን ብቐጥታ በሪሁ ኣይረኣዮን እዩ። ሞራላውን መንፈሳውን (ሃይማኖታውን)
37 ሓቅታት ከኣ "ብኹሉ ሰብ፣ ብዘይጸገም፣ እሞ ብጽኑዕ ርግጽነትን ብዘይገለ
ምድብላቕን ስሕተትን" ምእንቲ[12] ኪፍለጥ፡ ነዚ ዘሎ ናይ ወድሰብ ኃጢኣተይና
ሃለዋት፣ ጸጋን ግልጸትን የድልዮ እዩ። ባሕርያዊ ሕጊ እምበኣር፣ ነቲ ዝተገልጸ
ሕግን ጸጋን፡ ምስ'ቲ ብኣምላኽ ዝተሰናደወ መሠረት፣ እሞ ምስ'ቲ ስራሕ መንፈስ
ቅዱስ ኣሳንዩ የቕርቦ።

## II. ሕጊ ኦሪት (ብሉይ)

**1961** ፈጣሪናን መድኃኒናን ዝኾነ እግዚኣብሔር-ኣምላኽ፣ ሕዝቡ ምእንቲ
62 ኪኾኖ ኢሉ ንእስራኤል ንርእሱ ሓረዮ፣ ሕጉ ገለጸሉ፣ በዚ ኸኣ ንናይ ክርስቶስ
ምምጻእ ኣሰናደወ። ሕጊ-ሙሴ ብባሕርያዊ መንገዲ ብኣእምሮ ኪብጻሕ ዚከኣል
ሓቅታት ይገልጽ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ውሽጥ'ቲ ናይ ድኅነት ኪዳን ዚግለጽን
ዚረጋገጽን እዩ።

**1962** እቲ ብሉይ ሕጊ (ኦሪት) ናይ'ቲ ዝተገልጸ ሕጊ ቀዳማይ መድረኽ
2058 እዩ። ሞራላዊ ትእዛዛቱ ድማ ኣብ'ቲ ዓሠርተ ትእዛዛት ተጠቓሊሉ ይርከብ። ናይ
ዓሠርቱ ቃላት ትእዛዛት (መምርሕታት) ከኣ ብኣምሳል-ኣምላኽ ንዝተገብረ ሰብ
ናይ ጸዋዕታኡ መሠረት ዜንብረሉ እዩ። ተጻይ ፍቕሪ-ኣምላኽን ፍቕሪ ብጻይን
ንዝኾነ ይእግድ፣ ነኣኡ ዜድሊ ቀንዲ ነገር ከኣ፡ ይእዝዝ። ዓሠርቱ ቃላት
እምበኣር፡ ንኹሉ ሰብ ጸዋዕታ-ኣምላኽን መንገድታቱን ምእንቲ ከፍልጦን፣ ካብ
ክፉእ'ውን ምእንቲ ኪሕልዎን ንኅሊናኡ ዝተወፈየ ብርሃን እዩ።

[11] ቅ.ኣጐስጢኖስ Conf. 2፣4፣9፡ PL 32, 678.
[12] ፕዮስ መበል 12 Humani generis፡ ደንዚንገር DS 3876፣ Dei Filius 2፡ ደንዚንገር DS 3005

> ኣብ ልባቶም ተቐሪጹ ኸሎ ሰባት ከንብብዎ ንዘይከኣሉ ሕጊ፡ ኣምላኽ ኣብ'ቲ ጽላት-ሕጊ ጸሓፎ።[13]

**1963** ብመሠረት ትውፊት-ክርስትና እቲ ሕጊ ቅዱስን መንፈሳውን ጽቡቕን[14] እኳ እንተኾነ ጋና ዘይፍጹም እዩ። ከም ሓደ መምህር (መዕበዪ) እዩ፤[15] ነቲ ኪግበር ዚግበኦ ይሕብር፣ እንተኾነ ንምፍጻሙ ዚሕግዝ ናይ መንፈስ ኃይልን ጸጋን ኪህብ ዓቕሚ የብሉን። ብምኽንያት'ቲ ከወግዶ ዘይከኣለ ኃጢኣት ድማ፡ ሕጊ-ባርነት ኮይኑ ይነብር። ብትምህርቲ ቅዱስ ጳውሎስ ናይ ሕጊ ኦሪት ተግባር፣ ኣብ ውሽጢ ልቢ ወድሰብ "ሕጊ-ፍትወት"[16] ኮይኑ ንዚቕጽል ኃጢኣት ምንቃፍን ምቅላዕን እዩ። ዝኾነ ኾይኑ፣ ናብ መንግሥተ ሰማይ ኣብ ዚግበር ጉዕዞ፣ ሕጊ እቲ ቀዳማይ ስጉሚ ወይ መድረኽ ኮይኑ ይነብር። ነቲ ኅሩይ ሕዝቢ ኮነ፡ ንነፍስወከፍ ክርስትያን ከኣ ንኺንሳሕን፣ ኣብ'ቲ መድኃኒ ዝኾነ ኣምላኽ ንኺኣምንን ዘሰናድዎ እዩ። ልክዕ ከም'ቲ ቃል-ኣምላኽ፣ ንዘለዓለም ዚነብር ትምህርቲ የበርክት። 1610 2542 2515

**1964** እቲ ብሉይ ሕጊ (ኦሪት) ንወንጌል ዘሰናዱ እዩ። "ሕጊ ብዛዕባ'ቲ ኪኸውን ዘለዎ ነገራት ዚምህርን ዚነግርን እዩ"[17]። ነቲ ብኽርስቶስ ኪፍጸም ዘለዎ፣ ካብ ኃጢኣት ሓራ ዘውጽእ ተግባር፣ ዚንበየሉን ኣቐዲሙ ዚነግረሉን ሕጊ እዩ። ከመይሲ ነቲ ብመንፈስ ዚንበር ሕይወት ዚገልጽ፣ ምስልን "ኣምሳላትን" ምልክታትን ንሓዲስ ኪዳን ከበርክተሉ ይርከብ። ኣብ መወዳእታ ድማ፣ ናብ ሓዲሽ ኪዳንን፣ ናብ መንግሥተ ሰማያትን ኣቢሉ ነቲ ጉዕዞኡ ብዘቕነዓሉ፣ ብትምህርቲ መጻሕፍቲ-ጥበብን ነብያትን፡ እቲ ሕጊ ምልኣት ይረክብ። 122

> ናይ መንፈስ ቅዱስ ፍቕርን ጸጋን ዝለበሱ፣ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ምስ'ቲ ሓዲሽ ሕጊ ንዘተሓባብሮም መንፈሳውን ዘለዓለማውን ቃል-ተስፋ ብሃረርታ ዚጽበዩ ሰባት፣ ኣብ ትሕት'ቲ ሕግታት ብሉይ ኪዳን'ውን ነይሮም እዮም። ብተጻዩ ከኣ፣ ጋና ካብ'ቲ ናይ ሓዲስ ሕጊ ፍጽምና ርሒቖም ዚርከቡ ሥጋውያን ሰባት፣ ኣብ ትሕት'ቲ ሓዲስ ኪዳን'ውን ኣለዉ። ኣብ ጽላል'ታ ሓዳስ ኪዳን ክነሶም ንመንፈሳዊ ተግባራት ንምንቕቓሖም፡ ናይ መቕጻዕቲ ፍርሓትን፣ ገሊኡ ናይ ምድራዊ ተስፋ መብፅዓታትን (ቃላትን) ኣድላዪ ኮይኑ ተረኺቡ። ዝኾነ ኾይኑ፣ እቲ ብሉይ ሕጊ መደብ ፍቕሪ'ኳ እንተኣዘዘ "ፍቕሪ-ኣምላኽ ኣብ ልባትና ንዝፈሰሰሉ" መንፈስ ቅዱስ ኪህብ ግን ኣይተረኽበን።[18] 1828

---

[13] ቅ.ኣጐስጢኖስ En. in Ps. 57, 1፡ PL 36, 673.
[14] ሮሜ 7፡12፣14፣16 ረአ
[15] ገላ 3፡24 ረአ
[16] ሮሜ 7 ረአ
[17] ቅ.ኢረነዩስ Adv. haeres. 4, 15, 1፡ PG 7/1, 1012
[18] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh I-II, 107፣1 and 2፣ ሮሜ 5፡5 ረአ

## III. ሓዲስ ሕጊ፣ ወይ ሕጊ ወንጌል

**1965** እዚ ሓዲሽ ሕጊ ወይ ከኣ ሕጊ-ወንጌል፣ ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ባሕርያዊ
459 ኮይኑ ናይ ዝተገልጸ፡ መለኮታዊ ሕጊ ፍጽምና እዩ። ንሱ ኸኣ ብፍላይ ኣብ'ቲ
581 ኣንቀጸ ብፁዓን (ናይ እምባ ስብከት) ዝተገልጸ ናይ ክርስቶስ ስራሕ እዩ።
715 ከምኡ'ውን ስራሕ መንፈስ ቅዱስ እንኪኸውን፣ በኣኡ ኣቢሉ ድማ ውሽጣዊ
ሕጊ-ፍቕሪ ይኸውን፤ "ምስ ሕዝቢ እስራኤልን ሕዝቢ ይሁዳን ሓዲሽ ኪዳን
ዝኣትወለን መዓልታት ኪመጻ እየን..... ንሕግታተይ ኣብ ኣእምሮኦም ከእትዎ፣
ኣብ ልቦም'ውን ክጽሕፎ እየ፣ ኣነ ኣምላኾም ክኾኖም እየ፣ ንሳቶም'ውን ሕዝቢ
ኪኾኑኒ እዮም"[19]።

**1966** እዚ ሓድሽ ሕጊ፣ ኣብ ክርስቶስ ብምእማን ነቶም ምእመናን ዚወሃብ
1999 ጸጋ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ብመደብ ፍቕሪ ይሰርሕ፣ እንታይ ኪግበር ከምዚግበኦ
ንኺምህረና፣ ነቲ ኣንቀጸ ብፁዓን (ናይ እምባ ስብከት) ንምፍጻሙ ዚሕግዝ ጸጋ
ንኺህበና ከኣ ምሥጢራት ይጥቀም።

> ዝኾነ ሰብ፡ ነቲ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ እነንብቦ፡ ጐይታና ኣብ እምባ ዝገበሮ ስብከት፣ ብመንፈሳውነትን በሊሕ ትኩርነትን ከስተንትኖ እንተደኣ ተረኺቡ፣ ብዘይጥርጥር ኣብኡ... ናይ ሕይወት-ክርስትና ፍጹም መንገዲ ኪረክብ እዩ። ...እዚ ስብከት'ዚ ...ሕይወትካ ንምቕራጽ (ንምሥራዕ) ዜድሊ ኩሉ ሕግታት (መምርሕታት) ዝሓዘ እዩ።[20]

**1967** እዚ ሕጊ-ወንጌል፣ ነቲ ብሉይ ኪዳን፡ "ተፍጻሜት ይህቦ"፣ የመጻርዮ፣
577 ልዕል የብሎ፣ ናብ'ቲ ፍጽምናኡ ኣቢሉ ከኣ ይመርሖ።[21] ኣብ'ቲ ትምህርተ-
ብፁዓን እቲ ሓዲሽ ሕጊ ነቲ ኣምላኻዊ ተስፋታት "ንመንግሥተ ሰማይ" ገጹ
ከምዚልዕልን ከምዘተሐርን ብምግባር ተፍጻሜት ሂቡዎ። ሓዲስ ኪዳን፣ ነዚ ሓዲሽ
ተስፋ ብታሕጓስ ንኺቕበሉ ብእምነት ንዝተሰናደዉ፣ ድኻታት፣ ትሑታት፣
ውጹዓት፣ ንጹሓን ልቢ፣ ምእንቲ ክርስቶስ ንዚስደዱ ዝቐረበ ብምዃኑ ናይ'ቲ
መንግሥቲ-እግዚኣብሔር ዘደንቕ መንገድታት ዘመልክት እዩ።

**1968** ሕጊ-ወንጌል ንናይ ሕጊ ትእዛዛት ተፍጻሜት ዚህብ እዩ። ናይ ጐይታ
129 ናይ እምባ ስብከቱ (ኣንቀጸ ብፁዓን)፡ ንናይ'ቲ ብሉይ ሕጊ (ኦሪት) ሞራላዊ
582 ትእዛዛት ዘጥፍእ ወይ ግምት ዚሽልእ ዘይኮነስ፣ እቲ ኀቡእን ድጉልን ዓቕሙ
ከምዚወጽእ ብምግባር፡ ካብኡ ዚፍልፍል ሓዲሽ ጠለባትን ግዴታታትን የርኢ፤
ንምልኣት መለኮታውን ሰብኣውን ሓቅነቱ ኪገልጽ ይርከብ። ሓዲሽ ግዳማዊ
ትእዛዛት ከይወሰኸ፣ ወድሰብ ኣብ መንጎ ንጹሕን ዘይንጹሕን[22] ንዚመርጸሉ
እምነትን ተስፋን ፍቕርን፣ ከምኡ'ውን ምስኡ ካልእ መንፈሳዊ ኃይላት

---

[19] ዕብ 8፡8፣10፣ኤር 31፡31-34 ረአ
[20] ቅ.ኣጐስጢኖስ De serm. Dom. 1፣1፡ PL 34, 1229-1230
[21] ማቴ 5፡17-19 ረአ
[22] ማቴ 15፡18-19 ረአ

ዚምዕብለሉ፡ ናይ ሰብኣዊ ተግባራት መበቈል ንዝኾነ ልቢ-ሰብ ንምሕዳስን ንምልዋጥን ዝመጽአ እዩ። ወንጌል እምበኣር፣ ንናይ'ቲ ሰማያዊ ኣቦ ፍጽምና ብምምሳል፣ ንጸላእቲ ብዚግበር ምሕረትን፣ምእንቲ ዘሳድዱኻ ጸሎትን፣ ብመሠረት ኣምላኻዊ ርኅራኄን ልግሥን ክትሰርሕ ብምጽዓርን ነቲ ሕጊ ናብ ምልኣቱ የብጽሖ።[23]

1969 እዚ ሓዲሽ ሕጊ፡ ንናይ ሃይማኖት መንፈሳዊ ተግባራት ፍጽምና ኪህቦ ይርከብ፣ ምጽዋት፣ ጸሎትን ጾምን ብምዝውታር፣ ብኣንጻር'ቲ "ብሰብ ክትረአ" ዚብል ባህጊ፣ ናብ'ቲ "ብኅቡእ ዚርኢ ኣቦ" ኣቢሉ ከቕንዮ ይርከብ።[24] ጸሎቱ፡ ድማ (ኣቡነ ዘበሰማያት) "ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር" እዩ።[25] 1434

1970 ሕጊ-ወንጌል ካባና ዚጽበዮ ወሳኒ ምርጫ ኣሎ። ኣብ መንገ'ተን "ክልተ መንገዲ" ክንመርጽን፣ ነቲ ቃላት-ጐይታ ኣብ ግብሪ ከነውዕልን ዚሓትት እዩ።[26] ኣብ'ቲ ወርቃዊ ሕጊ ዝተሰምየ ተጠቓሊሉ ይርከብ፣ "ሰባት ኪገብሩልኩም እትደልዩዎ ኹሉ ንስኻትኩም'ውን ከምኡ ግበሩሎም"፤ሕግን ነቢያትን እዚ እዩ።"[27] 1696 1789

ከምቲ ንሱ ዘፍቀረና፣ ንሓድሕድና ክንፋቐር፡ ኢየሱስ ኣብ ዝሃበና "ሓዲሽ ትእዛዝ" መላእ ሕጊ-ወንጌል ተጠቓሊሉ ኣሎ።[28] 1823

1971 ነቲ ናይ ጐይታ ናይ እምባ ስብከት(ኣንቀጸ ብፁዓን) ናይ ትምህርተ-ሓዋርያት ሞራላዊ ትምህርተ-ክርስትና (moral catechesis) ኪውሰኾ ግቡእ እዩ። እዚ ኸኣ እቲ ኣብ ሮሜ.12-15፣1ቆሮንቶስ 12-13፣ ቈላስይስ 3-4፣ ኤፌሶን 4-5 ወዘተ...ዚርከብ እዩ። እዚ ትምህርተ-እምነት'ዚ፣ ንትምህርቲ-ጐይታ፣ ብፍላይ ድማ እቲ ካብ እምነት ክርስቶስ ዚፍልፍልን፣ በታ ናይ መንፈስ ቅዱስ ቀንዲ ህያብ ዝኾነት ፍቕሪ ዚንቀሳቐስን መንፈሳዊ ኃይላት፡ብሥልጣን ሓዋርያት ከም ዚመሓላለፍ ተገብረ። "ፍቕሪ ብዘይግብዝና ትኹን...ኣብ ነንሓድሕድኩም ምዉቕ ፍቕሪ-ኣኅዋት የሃሉኹም፣..ብተስፋ ተሓጐሱ፣ብጸበባ ተዓገሡ ከየቋረጽኩም ጸሎት ኣዘውትሩ። ብዘድልዮም ንኣመንቲ ኣማቕሉ፤ ተቐበልቲ ጋሻ ኩኑ።"[29] በቲ ምስ ክርስቶስን ቤተክርስትያኑን ዘሎና ርክብ በሪህና፡ ነቲ ናይ ኅሊና ጕዳያት ክንፈትሖ፡ እዚ መደብ ትምህርተ-ክርስትና (catechesis) ይምህረና።[30] 1789

1972 እዚ ሓዲሽ ሕጊ፣ "ሕጊ-ፍቕሪ" ተባሂሉ ይጽዋዕ፤ ምኽንያቱ ከኣ፡ ብፍርሒ ዘይኮነስ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊእና፡ ብፍቕሪ ከም ንሰርሕ ስለ ዚገብረና እዩ። ብእምነትን ብምሥጢራውነትን ገቢሩ ንኽትሰርሕ ዘኽእለካ ኃይሊ- 782 1828

[23] ማቴ 5፡44,48 ረአ
[24] ማቴ 6፡1-6፣16-18 ረአ
[25] ማቴ 6፡9-13፣ሉቃ 11፡2-4 ረአ
[26] ማቴ 7፡13-14,21-27 ረአ
[27] ማቴ 7፡12፣ሉቃ 6፡31 ረአ
[28] ዮሓ 15፡12፣13፡34 ረአ
[29] ሮሜ 12፡9-13
[30] ሮሜ 14፣1 ቆሮ 5-10 ረአ

ጸጋ ስለዚዕድል ሕጊ-ጸጋ ይበሃል፤ ካብ'ቲ ሥርዓትነታውን ሕግነታውን ሓለዋ ብሉይ ኪዳን (ኦሪት) ሓራ ስለዘውፅኣና፣ ብናይ ፍቕሪ ድፍኢት፣ ብገርሂ ናብ ምስራሕ ስለዘዘንብለና፣ ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ካብ ናይ ባርያ ሃለዋት፣ ማለት ካብ'ቲ "ጐይታኡ ዚገብሮ ዘይፈልጥ" ናብ'ቲ ናይ ዓርኪ-ክርስቶስ፣እኳደኣ ናብ ናይ ውሉድን ወራስን ሃለዋት ክንሳገር ስለዘኽእለና፣ ሕጊ-ሓርነት ይበሃል። "ኣነ ግና እቲ ካብ ኣቦይ ዝሰማዕኩዎ ዘበለ ንኣኻትኩም ስለዘፍለጥኩኹም ኣዕሩኽይ ኢኹም እብለኩም ኣሎኹ"።[31]

**1973** ብዘይካ'ቲ ትእዛዛቱ መምርሒታቱ፣ እዚ ሓዲሽ ሕጊ ነቲ ናይ ወንጌል
2053 ምኽርታት'ውን ዘጠቓልል እዩ። እቲ ኣብ መንነ ትእዛዛት-እግዚኣብሔርን፡
915 ምኽርታት-ወንጌልን፡ ብልማድ ኪግበር ዝጸንሐ ፍልልይ፣ ናይ ሕይወት-ክርስትና ፍጽምና ምስ ዝኾነ ፍቕሪ ካብ ዘለዎ ርክብ ዝፈልፈለ እዩ። እቲ ወገን ትእዛዛት፡ ዕላማኡ ነቲ ምስ ፍቕሪ ዘየሳኒ ምውጋድ እዩ። ናይ'ቲ ምኽርታት ዕላማ ድማ፡ ወላ ተጻዩ እንተዘይኮነ'ውን ንናይ ፍቕሪ ምዕባሌን ስጕምትን ኪዕንቅጽ ዚኽእል ዘበለ ምውጋድ እዩ።[32]

**1974** እዚ ምኽርታት-ወንጌል፣ ናይ'ቲ ሕያው ምልኣተ-ፍቕሪ መግለጺ እዩ።
2013 እዚ ምልኣተ-ፍቕሪ ድማ ወትሩ ዝበለጸን ዝዓበየን እኳ እንተሃበ፣ ፈጺሙ ዘየዓግብ እዩ። ፍቕሪ ሕያውን መሕየውን ምኳኑ እዚ ምኽርታት'ዚ ይምስክር፣ ነቲ መንፈሳዊ ስንድውነትና ከኣ ግሁድ ይገብሮ። ናይ'ዚ ሓድሽ ሕጊ ፍጽምናኡ ዚግለጸሉ ቀንዲ ትእዛዛት፣ ፍቕሪ-ኣምላኽን ፍቕሪ-ብጻይን እዩ፤ እቲ ምኽርታት'ቲ ነቲ ብዝበለጸ ትኽ ዝበለ መንገድታትን፣ ስንድው ዝኾነ ኣገባባትን፡ የመልክት (ይሕብር)፤ ኣብ ግብሪ ዚውዕል ድማ፡ ነፍስወከፍ ምስ ጸዋዕታኡ ብምስምማዕ እዩ፡-

> ከም'ቲ ፍቕሪ ዚጠልቦ ነቲ ምስ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሰባትን እዋናትን፣ ዕድላትን ዚሰማማዕ ጥራሕ እንተዘይኮይኑ ነፍስወከፍ ሰብ ንዅሉ ምኽርታት ኪሕልዎ ኣይጽበን (ብወገን ኣምላኽ) እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ ፍቕሪ ናይ ዅለን መንፈሳዊ ኃይላት፣ ናይ ኩለን ትእዛዛት፣ ናይ ኩለን ምኽርታት፣ ብሓጺሩ ከኣ ናይ ኩሉ ሕግታትን፡ ክርስትያናዊ ተግባራትን፡ ንግሥቲ ከም ምኳና መጠን፣ ንዅላተን ደረጃን ሥርዓትን፣ ግዜን ግምትን(ቊምነገርን) እትህበን ንሳ እያ።[33]

---

## ብሓጺሩ

**1975** ከም ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ፣ ሕጊ ኪበሃል ከሎ፡ ብኣምላኽ ዝተዋህበ ኣባታዊ ትምህርቲ ኮይኑ፣ ናብታ ዚትስፈዋ ብፅዕና ዚመርሖ መንገድታት ንሰብ ዚሕብረሉን፣ ካብ መንገዲ ክፍኣት ኪእለ ዘጠንቕቕን እዩ።

---

[31] ዮሓ 15፡15፣ኢያ 1፡25፣2፡12፣ገላ 4፡1-7፣21-31፣ሮሜ 8፡15 ረአ
[32] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II, 184, 3.
[33] ቅ.ፍራንቸስኮስ ዘ-ሳል Love of God 8, 6

1976 "ሕጊ፡ ንሓባራዊ ረብሓ ተባሂሉ፣ በቲ ኣብ ልዕሊ ማኅበረ-ሰብ ኃላፍነት ዝተቐበለ ወገን ዝተኣወጀ ናይ ኣእምሮ ትእዛዝ እዩ። (ቅ.ቶማስ ኣኵናስ S.Th.1-11, 90,4)

1977 ክርስቶስ ናይ'ቲ ሕጊ መዛዘሚ እዩ (ሮሜ.10፡4 ረአ)፣ ጽድቂ-ኣምላኽ ዚምህርን ዚዕድልን ንሱ ጥራሕ እዩ።

1978 ባሕርያዊ ሕጊ፣ እቲ ብኣምሳል-ኣምላኽ ዝተገብረ ሰብ፣ ኣብ ናይ ኣምላኽ ጥበብን ኂሩትን(ሕያውነትን) ዚገብሮ ተሳትፎ እዩ። ናይ ወድሰብ ክብረ-ግርማ ዚገልጽ እንኪኸውን ናይ'ቲ መሠረታዊ መሰላቱን ግዴታታቱን መንጸፍ ድማ እዩ።

1979 ባሕርያዊ ሕጊ፡ኣብ መላእ ጕዕዞ ታሪኽ ዘይልወጥን ነባርን እዩ። እቲ ነኣኡ ዚገልጽ ሕግታት ብቐንዱ ብቑዕ ኮይኑ ይነብር። ናይ ሞራል ሕግታትን፣ ሲቪላዊ ሕግን ክትሓንጽ እንተኾይንካ፣ ባሕርያዊ ሕጊ ኣድላዪ መሠረት እዩ።

1980 እቲ ብሉይ ኪዳን (ኦሪት) ናይ'ቲ ዝተገልጸ ሕጊ ቀዳማይ መድረኽ እዩ። ናይ ሞራል መምርሕታቱ፡ ኣብ'ተን ዓሠርተ ትእዛዛት ተጠቓሊሉ ኣሎ።

1981 ሕጊ-ሙሴ፡ ብዓቕሚ ኣእምሮ ኪጭበጥ ዚከኣል ብዙሕ ሓቅታት ዝጠርነፈ እዩ። ኣምላኽ ነዚ ኪገልጾ ዝመደበ ድማ፣ ኣብ ልቦም ከሎ፡ ሰባት ከንብብዎ ስለዘይከኣሉ እዩ።

1982 እቲ ብሉይ ሕጊ (ኦሪት) ንወንጌል ዘሰናዱ እዩ።

1983 እቲ ሓዲስ ሕጊ፡ ኣብ ክርስቶስ ብምእማን ዚርከብ ብመደብ ፍቕሪ ዚሰርሕ ጸጋ-መንፈስ ቅዱስ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ በቲ ናይ እምባ ስብከት ጕይታ (ኣንቀጸ ብፁዓን) ይግለጽ፣ ናባና ጸጋታቱ ንኽፍስስ ድማ ምሥጢራት ይጥቀም።

1984 ሕጊ-ወንጌል ነቲ ብሉይ ሕጊ (ኦሪት) ጸብለል ይብሎ፣ ናብ ፍጽምና'ውን የልዕሎ፤ ነቲ ተስፋታቱ፡ በቲ ናይ መንግሥተ ሰማያት ብፅዕና፣ ነቲ ትእዛዛቱ ድማ መበቈል ሰብኣዊ ተግባራት ንዝኾነ ልቢ-ሰብ ብምሕዳስ ናብ ፍጽምና ክብ የብሎ።

1985 እቲ ሓድሽ ሕጊ፣ ሕጊ-ፍቕሪ፣ ሕጊ-ጸጋ፣ ሕጊ ሓርነት እዩ።

1986 ብዘይካ'ቲ ትእዛዛቱ፡ እቲ ሓዲስ ሕጊ ነቲ ምኽርታት-ወንጌል'ውን የሓቝፍ እዩ። "ናይ ቤተክርስትያን ቅድስና፡ ብፍሉይ መንገዲ፣ በቲ ጕይታ ኣብ ወንጌል ነርድእቱ ዜቕርበሎም ብዙሕ ዝዓይነቱ ምኽርታት ኪስጐም ይርከብ። (LG.42 § 2)

# ኣንቀጽ 2
# ጸጋን ጽድቅን

## I. ጽድቂ

**1987** ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ከጽድቐና ክእለት ኣለዎ። እዚ ማለት ከኣ፣ ካብ
734 ኃጣውእና ንኽንጸሓና፣ ከምኡ'ውን "በታ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘላትና እምነትን"
ብጥምቀትን[34] ነታ ጽድቂ-ኣምላኽ ከሳትፈና ዓቕሚ ኣለዎ።

> ንሕና ምስ ክርስቶስ ካብ ሞትና፣ ምስኡ ድማ ብሕይወት ከም እንነብር ነኣምን ኢና። ከመይ እቲ ካብ ምዉታት ዝተንሥአ ክርስቶስ፣ መሊሱ ከምዘይመውት ንፈልጥ ኢና፤ ደጊም ሞት ኣብ ልዕሊኡ ሥልጣን የብላን። ብሞቱ ሓንሳእ ንወትሩ ንኃጢኣት እዩ ዝሞተ፣ ብሕይወቱ ግና ንኣምላኽ እዩ ዚነብር። ከምኡ ድማ ንስኻትኩም ኃጢኣት ከይትገብሩ ከምዝሞትኩም፣ ብኽርስቶስ ኢየሱስ ግና ንኣምላኽ ሕያዋን ከም ዝኾንኩም ርእስኹም ገምቱ።[35]

**1988** ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ገቢርና፣ ንኃጢኣት ብምምዋት ኣብ ሥቓያት-
654 ክርስቶስ ንሳተፍ፤ ከምኡ'ውን ናብ'ታ ሓዳስ ሕይወት ተወሊድና ተሳተፍቲ
ትንሣኤኡ ንኸውን። ኣካሉ ናይ ዝኾነት ቤተኽርስትያን ኣባላት፣ ኣብ'ቲ ነኣኡ
ዜመልክት ጒንዲ-ወይኒ ከም ዝተዳቐልና ጨናፍር ንኸውን፡[36]

> 460 በቲ መንፈሱ ገቢሩ (ኣምላኽ) ርእሱ ይህበና። ኣብ'ቲ መንፈስ ብዚህሉ ሱታፌ ድማ፡ ናይ'ቲ መለኮታዊ ባሕርይ ተቐበልቲ ንኸውን.... በዚ ምኽንያት'ዚ፣ እቶም መንፈስ- (ኣምላኽ) ዝሓደሮም ሰባት መለኮት ይለብሱ (መለኮታውያን ይኾኑ)።[37]

**1989** ናይ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ፈለማ ስራሑ፣ ንስሓ ወይ ምምላስ እንኪኸውን፣
1427 እዚ ድማ ብወገኑ፡ ብመሠረት'ቲ "መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ እያ'ሞ ተነስሑ"[38]
ዚብል፣ ኣብ ምጅማር ስብከተ-ወንጌል ዝተዋህበ ኣዋጅ-ኢየሱስ ግብረ-ጽድቂ ዜፍሪ እዩ። ሰብ እምበኣር፡ ብጸጋ-ኣምላኽ ተንቀሳቒሱ፣ ካብ ኃጢኣት ርሒቑ ናብ እግዚኣብሔር ገጹ ይምልስ። በዚ ኸኣ ካብ ላዕሊ ምሕረትን ጽድቅን ይቕበል። "ግብረ-ጽድቂ ኪበሃል ከሎ፣ ናይ ኃጢኣት ስሬት (ኅድገት)ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ'ቲ ውሽጣዊ ሰብ ምሕዳስን ምቕዳስን እውን የስምዕ እዩ"።[39]

---

[34] ሮሜ 3፡22፣6፡3-4 ረአ
[35] ሮሜ 6፡8-11
[36] 1 ቆሮ 12፣ዮሓ 15፡1 4 ረአ
[37] ቅ.ኣትናቴዎስ Ep. Serap. 1, 24፡ PG 26, 585 and 588
[38] ማቴ 4፡17
[39] ጉባኤ ትረንቶስ (1547)፡ ደንዚንገር DS 1528

**1990** ግብረ-ጽድቂ፡ ንሰብ ካብ'ቲ ተጻይ ፍቕሪ-ኣምላኽ ዘበለ ኣርሒቑ፣ 1446
ንልቡ ካብ ኃጢኣት ዜንጽሖ እዩ። እዚ ግብረ-ጽድቂ ካብቲ ኅድገትን ምሕረትን 1733
ዚልግስ መሓሪ ተበግሶ-ኣምላኽ ዚፍልፍል እዩ። ንሰብ ምስ እግዚኣብሔር የተዓርቖ። ካብ ባርነት ኃጢኣት የላቕቖ፣ ብመንፈስ ይፍውሶ፣ የጽድቖ።

**1991** ምስ'ዚ ድማ፡ ግብረ-ጽድቂ ኪበሃል ከሎ፣ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ 1812
ብምእማን ናይ እግዚኣብሔር ጽድቂ (ኣጽድቆት) ምቕባል ማለት እዩ። ግብረ-ጽድቂ ወይ ("ፍትሒ" "ርትዒ") ማለት ኣብ'ዚ፡ ናይ መለኮታዊ ፍቕሪ ሓቅነትን ርትዕን እዩ ዜመልክት። ብግብረ-ጽድቂ ማለት በቲ ኣምላኽ ዜጽድቕና እምበኣር፡ እምነትን ተስፋን ፍቕርን ኣብ ልባትና ይፈስስ፤ ንፍቓድ-ኣምላኽ ተኣዘዝቲ ክንከውን የኽእለና።

**1992** ንኣምላኽ ዘሥመረ፣ ቅዱስን ሕያውን መሥዋዕቲ ገቢሩ ርእሱ ኣብ 617
መስቀል ብዘወፈየን፣ ደሙ'ውን ንኃጢኣት ኩሉ ሰብ መጋበሪ ካሕሣ ዘቕረበ፣ 1266
ብናይ ክርስቶስ ሥቓያት (ሕማማት) ናይ ግብረ-ጽድቂ ጸጋ ረኺብና። ናይ 294
ግብረ ጽድቂ ጸጋ፡ በቲ ምሥጢረ እምነት ዝኾነ ጥምቀት ይወሃብ። ብናይ ምሕረቱ ሥልጣንን ክእለትን ብውሽጥና ምስ ዘጽድቕና፣ ምስ'ቲ ርትዒ (ጽድቂ) ኣምላኽ ከምንሰማማዕ ይገብረና። ዕላማኡ ድማ ናይ እግዚኣብሔርን ናይ ክርስቶስን ክብሪ ምግላጽ፣ ዘለዓለማዊ ሕይወት ምሃብን እዩ።[40]

> ሕጂ ግና፡ ከምቲ ሕግን ነቢያትን ዝመስከርዎ ጽድቂ-ኣምላኽ ብሕጊ-ሙሴ ዘይኮነ ብኻልእ መንገዲ ተገሊጹ ኣሎ። ኵሎም እቶም ዚኣምኑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዚጸድቁ ብኢየሱስ ክርስቶስ ብምእማን እዩ። ኣብዚ ሌላን ጕሌላን የልቦን። ከመይ ኵሎም ስለዝኃጥኡን ካብ ክብሪ-ኣምላኽ ስለዝረሓቑን በቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዚርከብ ድኅነት ብኸምኡ ብጸጋኡ ይጸድቁ። ኣምላኽ ከኣ ጽድቁ ምእንቲ ኺርኢ፣ ነቲ ቀደም ዝተገብረ ኃጢኣት ብመለኮታዊ ትዕግሥቱ ኪሕልፍ ሓደጎ፣ በኣኡ ድማ ብደሙ ንዚኣምን ኩሉ መተዓረቒ ገቢሩ ኣቕሞ። ኣብ'ዚ ዘመን'ዚ ዚገልጾ ዘሎ ኸኣ፡ ንሱ ጻድቕ ከምዝኾነ፡ ነቲ ብኢየሱስ ዚኣምን ዘበለ ኹሉ'ውን ከም ዘጽድቕ ምእንቲ ኺርኢ እዩ።[41]

**1993** ኣብ መንጎ ጸጋ-ኣምላኽን ናጽነት-ሰብን ዘሎ ምትሕብባር ሳላ ግብረ- 2008
ጽድቂ ዝተረኽበ እዩ። እዚ ድማ ብወገን-ሰብ ኪግለጽ ዚርከብ፣ በቲ ናብ ንስሓ ዚዕድሞ፣ ከምኡ'ውን ነቲ ኣወንታዊ ተቐባልነቱ ምስ ዘሰናዱን ዚዕቅብን ድርኺት-መንፈስ ቅዱስ ብዘለዎ ናይ ፍቕሪ ምትሕብባር፡ ንቓል-ኣምላኽ ብዚገብሮ ናይ እምነት ተቐባልነት (ሥምረት) እዩ፡-

> ብብርሃን መንፈስ ቅዱስ ገቢሩ ኣምላኽ ንልቢ ወድሰብ ኪትንክፎ ከሎ፣ ነዚ 2068
> ኣስተንፍሶ'ዚ ዝተቐበለ ሰብ ብድንዙዙ ኪተርፍ ዘይክእል'ዩ፤ ከመይ ኪነጽጎ'ውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ብዘይካ ጸጋ-ኣምላኽ፡ ብናይ ባዕሉ

[40] ጉባኤ ትረንቶስ (1547)፡ ደንዚንገር DS 1529 ረአ
[41] ሮሜ 3፡21-26

> ድልየትን ተበግሦን፡ ኣብ ቅድሚ-ኣምላኽ ናብ ፍትሒ ጽድቂ ኪመጽእ ኣይክእልን እዩ።[42]

**1994** ግብረ-ጽድቂ፡ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተገልጸልና ናይ
312 ፍቕሪ-ኣምላኽ ዝበለጸ ስራሕ እዩ። “ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ፣ ናይ’ቶም ኅሩያን
412 ድኅነትን ጽድቅን....ግን ዘየሓልፍ ስለዝኾነ”[43] “ሰማይን ምድርን ካብ ምፍጣር፡
ነቶም ኃጢኣተይናታት ምጽዳቕ (ግብረ-ጽድቂ ምዕዳል) ኣዝዩ ዝበለጸ ተግባር
ምኳኑ” ናይ ቅዱስ ኣጐስጢኖስ ርእይቶ እዩ። እቲ ዝዓበየ መደብ ምሕረት ምስክር
ስለዝኾነን፣ ልዕል’ቲ ንመላእኽቲ ብጽድቂ ምፍጣር፣ ናይ ኃጢኣተይናታት
(ጽድቂ) ምጽዳቕ ኣዝዩ ጸብለል ከምዚብል ቅዱስ ኣጐስጢኖስ የረጋግጽ።

**1995** መንፈስ ቅዱስ ናይ ውሽጣዊ መንፈሳዊ ሕይወት መምህር (ጐይታ)
741 እዩ። እቲ “ውሽጣዊ ሰብ”[44] ከምዚውለድ ብምግባር፣ ግብረ-ጽድቂ ነቲ መላእ
ሰብ ኵለንትናኡ ዚቕድስ እዩ፡-

> ከምቲ ንርኽሰትን እናገደደ ንዚኸይድ ክፍኣትን ንኺግዝእ ኣካላትኩም ዝወፈኹም፣ ከምኡ ድማ ሕጂ ናብ ቅድስና ንዘብጽሕ ጽድቂ ኣካላትኩም ወፍዩ.... ሕጂ ግና ካብ ኃጢኣት ሓራ ወጺእኩም ንኣምላኽ ስለዝተገዛእኩም ቅድስና ፈሪኹም ኣሎኹም። መወዳእታኡ ከኣ ናይ ዘለዓለም ሕይወት እዩ።[45]

## II. ጸጋ

**1996** ዝተቐበልናዮ ግብረ-ጽድቂ ካብ ጸጋ-ኣምላኽ ዚመጽእ እዩ። ጸጋ ኪበሃል
153 ከሎ፣ እግዚኣብሔር ዚልግሠልና፣ ኣብ ሞያና ዘይተመርኰሰ፡ ናጻ ዝኾነ ሓገዝን
ጕንፆን እዩ። ነዚ ጸጋ’ዚ ዚህበና’ውን፣ ውሉድ ኣምላኽ፣ ደቂ-ጸጋኡ፣ ኣብ
መለኮታዊ ባሕርይን ዘለዓለማዊ ሕይወትን ተሳተፍቲ ንምኳን ንዘቕረበልና
ጸዋዕታኡ ምላሽ ምሃብ ምእንቲ ክንክእል እዩ።[46]

**1997** ጸጋ ማለት ኣብ ሕይወት-ኣምላኽ ምስታፍ ማለት እዩ። ናብ’ቲ ናይ
375 ቅድስቲ ሥላሴ ሕይወት የተኣታትወና፣ ናይ’ታ ኣካሉ ቤተክርስትያን ርእሲ
260 ባዕሉ ክርስቶስ እዩ፤ ኣብ’ዚ ጸጋኡ ድማ እቲ ክርስትያን ብጥምቀት ይሳተፍ።
ከም መጠን “ወዲ ጸጋ” ምስ’ቲ ወልድ-ዋሕድ (ኡንኮ ውሉድ) ሓቢሩ ንኣምላኽ
“ኣቦ” ቢሉ ኪጽውዕ ይኽእል። ነቲ መንፈስ-ፍቕሪ ዘስተንፍሰሉን፡ ንቤተኽርስትያን
ዘቕውምን ናይ መንፈስ ቅዱስ ሕይወት ይቕበል።

---

[42] ጉባኤ ትረንቶስ (1547)፡ ደንዚንገር DS 1525
[43] ቅ.ኣጐስጢኖስ In Jo. ev. 72, 3፡ PL 35, 1823
[44] ሮሜ 7፡22፣ኤፌ 3፡16 ረአ
[45] ሮሜ 6፡19፣22
[46] ዮሓ 1፡12-18፣17፡3፣ሮሜ 8፡14-17፣2 ጴጥ 1፡3-4 ረአ

1998 እዚ ናይ ዘለዓለማዊ ሕይወት ጸዋዕታ፣ መልዕልተ-ባሕርያዊ እዩ። ንሱ 1719
ንውልቁ ጥራሕ ርእሱ ኪገልጽን ከወፍን ዚኽእል ስለዝኾነ፣ እዚ ጸዋዕታ'ዚ ኣብ ናይ ኣምላኽ ለጋሥን ናጻን ዝኾነ ተበግሦ ዝተመርኰሰ እዩ። ከም'ቲ ንካልእ ኩሉ ፍጡር፣ ልክዕ ከምኡ ንሰብኣዊ ኣእምሮን ድላይን ኣዝዩ ጸብለል ዚብሎ እዩ።[47]

1999 ጸጋ-ክርስቶስ ናይ ኣምላኽ ናጻ ዝኾነ ህያብ እዩ። በዚ ናጻን ለጋሥን 1966
ዝኾነ ዕድሎት ገቢሩ፡ንነፍሳትና ካብ ኃጢኣት ንኺፍውስን ንኺቕድስን፣ ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ ልባትና ዚሰርጽ እግዚኣብሔር፣ ገዛእ ሕይወቱ ነኣና ከወፈ ይርከብ። ብጥምቀት እንቕበሎ ቀዳሲ ወይ ከኣ መለኮት ዚገብረና ጸጋ እዩ። ዓይኒማይ ቅድስና ኮይኑ ኣባና ይሰርሕ።[48]

> ስለ'ዚ ሓደ'ኳ ብክርስቶስ እንተ'ልዩ፣ ንሱ ሓዲሽ ፍጥረት እዩ፤ እቲ ብሉይ ሓሊፉ እነሆ ኹሉ ሓዲሽ ኮይኑ እዩ፤እዚ ኹሉ'ውን ካብ'ቲ ባዕሉ ብክርስቶስ ገቢሩ ዝተዓርቀና..... ኣምላኽ እዩ"።[49]

2000 ቀዳሲ ጸጋ ዚበሃል፣ ንነፍሲ ፍጽምና ብምዕዳል፣ ምስ እግዚኣብሔር ንምንባርን፣ ብፍቕሩ ንምስራሕን ምእንቲ ክትክእል ልሙድ ጸጋን፡ ሥሩዕን መልዕልተ ባሕርያውን ኣተናን ዜሕድረላ እዩ። እቲ ብመሠረት ጸዋዕታ-ኣምላኽ ንምንባርን ምስራሕን ዘኽእል፣ ነባር ዝኾነ ኣተናን ኣከያይዳን ዘመልክት ልሙድ ጸጋ፣ ካብ'ቲ ግብራዊ ጸጋ ፍሉይ እዩ። ግብራዊ ጸጋ ኪበሃል ከሎ፣ ኣብ'ቲ ፈለማ ንስሓን (ናብ ኣምላኽ) ምምላስን፣ ወይ ከኣ ኣብ'ቲ ጕዕዞ መስርሕ-ቅድስና ንዚፍጸም ተግባር-ኣምላኽ ዚርኢ እዩ።

2001 ጸጋ-ኣምላኽ ንምቕባል ሰብ ዚገብሮ ምስንዳው ንርእሱ ድሮ ስራሕ- 490
ጸጋ እዩ። እዚ ዚድለ ድማ፣ ብእምነት ኣብ እንቕበሎ ግብረ-ጽድቅን፣ ብመደብ ፍቕሪ ኣብ እንገብሮ ጕዕዞ-ቕድስናን፣ ነቲ ምትሕብባርና ምእንቲ ከነቓቕሕን ከጽንዕን ተባሂሉ እዩ። "ምስ ድልየትና ብምትሕብባር ንተግባራቱ ምልኣት ዚህብ ኣምላኽ፣ ነኣኡ ምድላይ ምእንቲ ክንክእል ብምስራሑ ስለዝጀመሮ"[50]፣ ነቲ ዝጀመሮ ኩሉ ኣባና ምልኣት ዚህቦ ባዕሉ እግዚኣብሔር እዩ።

> ንሕና ብርግጽ ንሰርሕ ኢና፤ እንተኾነ ምሕረቱ ቀቅድሜና ስለዚኸይድ፡ ምስ'ቲ ዚሰርሕ እግዚኣብሔር ክንተሓባበር ጥራሕ ኢና እንርከብ። ንሕና ምእንቲ ክንሓዊ (ክንፍወስ) ቀቅድሜና ይኸይድ፣ ሓንሳብ ምስሓወና ሕይወት (ዘለዓለም) ምእንቲ ክንቅበል ደድሕሬና ይስዕብ፤ ምእንቲ ክንጽዋዕ ቀቅድሜና ይኸይድ፣ ክብሪ ምእንቲ ክንረክብ ድማ ደድሕሬና ይስዕብ፤ ብመንፈሳውነት ተጸሚድና ምእንቲ ክንነብር ቀቅድሜና ይጕዓዝ፣ ወትሩ

---

[47] 1 ቆሮ 2፡7-9 ረኣ
[48] ዮሓ 4፡14፣7፡38-39 ረኣ
[49] 2 ቆሮ 5፡17-18
[50] ቅ.ኣጐስጢኖስ De gratia et libero arbitrio, 17፡ PL 44, 901

*ምስ ኣምላኽ ምእንቲ ክንነብር ድማ፡ የሰንየና፤ ከመይሲ ብዘይካኡ ገለ'ኳ ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና።*[51]

**2002** *እግዚኣብሔር ንሰብ ኪፈጥሮ ከሎ፣ ብኣምሳሉ ስለዝገበሮን፣ ምስ*
1742 *ናጽነት ድማ፡ ነኣኡ (ንኣምላኹ) ዚፈልጠሉ ክእለትን (ኣእምሮ) ዘፍቅረሉ ዓቕምን*
*(ድልየትን) ስለዝጸገዎ፣ እዚ ናይ ጸጋ ኣምላኽ ተበግሦ፣ ካብ ሰብ ናጻ ዝኾነ*
*ምላሽ ይጽበ። ነፍሲ ጥራሕ'ያ ብናጻ ኣብ ናይ ፍቕሪ ሱታፌ ክትኣቱ እትርከብ።*
*እግዚኣብሔር ድማ ንልቢ ወድሰብ ብቐጥታ ይትንክፎን የንቀሳቕሶን። ንሱ ባዕሉ*
*(ኣምላኽ) ጥራሕ ከዕግበሉ ዚኽእል፣ ኣብ ልቢ ወድሰብ ናይ ሓቅን ሕያውነትን*
*(ቅንዕናን) ባህጊ ኣንቢሩ ኣሎ።እቲ ናይ "ሕይወት ዘለዓለም" ተስፉታት'ውን*
*ልዕሊ ዅሉ ተስፋ፡ ነዚ ባህግ'ዚ ዚምልኽን ዜንጸባርቕን እዩ፡-*

2550 *ኣብ ፍጻሜ'ቲ ሠናይ ስራሓትካ.....ኣብ'ታ ሻብዓይቲ ዕለት እንተዕረፍካ፣*
*እቲ በኣኻ ዝተዋህበና እሞ "ሠናይ ዝኾነ" ስራሓትና ኣብ እንፍጽመሉ፣*
*ንሕና'ውን ኣብ'ታ ናይ ሕይወት-ዘለዓለም ዕለት-ዕረፍቲ ኣባኻ ዕረፍቲ ክም*
*ንረክብ፡ ኣቐዲምካ ብድምፂ-መጽሓፍካ ክትነግረና ስለዝመደብካ እዩ።*[52]

**2003** *ጸጋ ኪበሃል ከሎ፣ ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ናይ'ቲ ዜጽድቕን*
1108 *ዚቕድሰናን መንፈስ ቅዱስ ህያብ እዩ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ'ቲ ስራሓቱ ንኽሕብረና፣*
1127 *ኣብ ድኅነት-ካልኦትን፡ ኣብ ናይ'ታ ኣካል-ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስትያን ዕብየትን፡*
799-801 *ኣበርክቶና ንምዕዛዝ ንኺሕግዘና፣ መንፈስ ቅዱስ ዚልግሠልና ህያባት'ውን ኣብ'ዚ*
*መደብ-ጸጋ ዚጠቓለል እዩ። በቲ ዝተፈላለየ ምሥጢራት ኣቢሉ ዚወሃበና ጸጋ*
*ምሥጢራት ኣሎ። ብተወሳኺ'ውን፣ ብመሠረት'ቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዚጥቀመሉ፣*
*"ጕንያ"፣ "ናጻ ህያብ"፣ "ረብሓ" ዝትርጕሙ ቃል "ካሪዝማ" ማለት ህያባት ዚብሃል*
*ፍሉይ ጸጋታት'ውን ኣሎ።*[53] *ሓድሓደ እዋን እዚ ንህያባት-ተኣምር ወይ ከኣ*
*ንህያባት-ቛንቋታት ከምዝበለ ፍሉይን ሕሉፍን ህያባት ከመልክት ይርከብ። ዝኾነ*
*ይኹን ባሕሪኡን ዝንባሌኡን፣ ህያባት ናብ'ቲ ቀዳሲ ጸጋ ዘተኰረን፣ ናብ ናይ*
*ቤተክርስትያን ሓባራዊ ረብሓ ዝዓለመን እዩ። ነታ ቤተክርስትያን እተሓንጽ*
*ፍቕሪ ዜገልግል እዩ።*[54]

**2004** *ካብ መንጎ'ቲ ፍሉይ ጸጋታት፣ ናይ ሕይወት-ክርስትና መዝነትን፣ ናይ ቤተክርስትያን ኣገልግሎትን ንምፍጻም ዚሕግዝን ዜሰንን፡ ናይ መደብ ሕይወት ጸጋታት ዚበሃል'ውን ኪጥቀስ ይግበኦ፤*

*ከምቲ ብጸጋ-እግዚኣብሔር ዝተቐበልናዮ፣ በበይኑ ዝኾነ ውህበት ኣሎና። ነቢያት እንተኾንና፣ መጠን እምነትና ይኹን። ኣገልገልቲ እንተኾንና፣ ኣብ ኣገልግሎትና ንትጋህ። መምህራን እንተኾንና፣ ኣብ ምምህርና ንጽናዕ።*

---

[51] *ቅ.ኣጐስጢኖስ* De natura et gratia, 31፡ PL 44, 264.
[52] *ቅ.ኣጐስጢኖስ* Conf. 13, 36, 51፡ PL 32, 868; Cf. Gen 1፡31.
[53] *ብር.ኣሕ.* LG 12 *ረአ*
[54] 1 *ቆሮ* 12 *ረአ*

ወሃብቲ እንተኾንና ብልግሲ ነሃብ፤ መራሕቲ እንተኾንና ብትግሃት ንምራሕ። ክንርኅርኅ ከሎና ከኣ ብሓጐስ ንራኅርኅ።[55]

2005 ወገን'ቲ መልዕልተ-ባሕርያዊ ሥርዓት ስለዝኾነ፡ ጸጋ ልዕሊ ኣእምሮናን ሰብኣዊ ተመክሮናን እዩ፤ ብዘይካ ብእምነት ከኣ ዚጭበጥን ዚፍለጥን ኣይኮነን። ምእንት'ዚ ድማ፡ ግብረ-ጽድቂ ረኺብና ወይ ከኣ ድሒንና ኢና ንምባል፡ ኣብ ስምዒትናን ተግባራትናን ክንተኣማመን ወይ ክንምርኰስ ኣይንኽእልን።[56] እንተኾነ ግን፣ "ብፍረኦም ክትፈልጥዎም ኢኹም"[57] ብዚብል ቃል-ጐይታ ተመሪሕና፡ ነቲ ኣብ ሕይወትናን ሕይወት-ቅዱሳንን ዝወረደ በረኸት-ኣምላኽ ከነስተንትን ከሎና፣ ጸጋ-ኣምላኽ ኣባና ትሰርሕ ከምዘላ ውሕስነት ይህበና፤ ከምኡ'ውን ንዝለዓለ እምነትን፣ ድኻምነትና ተቐቢልና፣ ኣብኡ ንዘሎና ተጸጋዕነትን ከነዕዝዝ ኪጕስጕሰና ይርከብ።

እቶም መንፈሳውያን ፈራዶ (ናይ ቤተክርስትያን) ከም መጻወድያ ገቢሮም፡ ንቅድስት ዦዋን በዓልቲ ኣርከ ንዝቐረቡላ ሕቶ ዝሃበቶ ምላሽ፣ ነቲ ዝተጠቕሰ ኣተና ዘንጸባርቕ እዩ። "ኣብ ጸጋ-ኣምላኽ ከምዘላ ትፈልጥን ዘይትፈልጥን ክትነግር ምስተሓተተት፣ "ኣብኡ እንተዘየልየ፡ ኣብኡ ንኽህሉ ፍቓዱ ይኹነለይ፤ ኣብኡ እንተልየ ኸኣ፣ ኣብኡ ንኪሕልወኒ ፍቓዱ ይኹን" ክትብል መለሸትሎም"።[58]

## III. ትሩፋት (merit)

ነቲ ትሩፋት-ቅዱሳን ኣኽሊል ብምሃብ፣ ናይ ገዛእ ርእስኻ ህያባት ስለ ዝኸለልካ፣ ኣብ'ቲ ጉባኤ ቅዱሳንካን ጎሩያንካን ዝኸበርካ ኢኻ[59]።

2006 ትሩፋት ኪበሃል ከሎ፣ ብሓፈሻ ሓደ ማኅበር ወይ ኅብረተሰብ፣ ሽልማት ወይ ቅጽዓት ብዜስዕብ ጠቓሚ ወይ ጐዳኢ ግብራ-ኣባላቱ ንዚረኽቦ ዓስቢ የመልክት። ትሩፋት ምስ'ቲ ዚመርሖን ዚሠርዮን ናይ ማዕርነት መርሕ ብምስምማዕ ምስ ናይ ፍትሒ(ርትዒ) መንፈሳዊ ኃይሊ ዚዛመድ እዩ። 1723 1807

2007 ንእግዚኣብሔር ብዚርኢ፣ ብወገን ወድሰብ ብመንፅር ትሩፋት (ወይ ሞያ) ዚሕተት መሰል ወይ ይግበኣኒ ዚብሎ ፈጺሙ የልቦን። ካብኡ ካብ'ቲ ፈጣሪና ኩሉ ነገር ስለዝተቐበልና፣ ኣብ መንጎናን መንጎ እግዚኣብሔርን መጠን-ኣልቦ ዘይምምዝዛን ኣሎ። 42

---

[55] ሮሜ 12፡6-8
[56] ጉባኤ ትረንቶስ (1547)፡ ደንዚንገር DS 1533-1534 ረአ
[57] ማቴ 7፡20
[58] Acts of the trial of St. Joan of Arc.
[59] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ Prefatio I de Sanctis; Qui in Sanctorum concilio celebraris, et eorum coronando merita tua dona coronas, citing the "Doctor of grace," St. Augustine, En. in Ps.102, 7፡ PL 37, 1321-1322

**2008** ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንወድሰብ ናይ ሕይወት-ክርስትና ትሩፋት (ሞያ)
306 ኪቐጽረሉ ዝኽእለ፣ እግዚኣብሔር ብናቱ ድልየት ንሰብ ኣብቲ መደብ ጸጋኡ
155 ኪጽንብሮ (ከተሓባብሮ) ስለዝመረጸ ጥራሕ እዩ። እቲ ናይ እግዚኣብሔር ኣባታዊ
970 ተግባር ቅድሚ ኹሉ ብናቱ ተበግሶ ዝተገብረ (ዚግበር) እዩ፤ ድሕሪኡ ድማ በቲ
ምትሕብባሩ ናይ ሰብ ናጻ ዝኾነ ተግባር ይስዕቦ፤ ምእንት'ዚ ከኣ እቲ ናይ ሠናይ
ተግባራት ትሩፋት ቅድሚ ኹሉ ንጸጋ-ኣምላኽ፣ ደሓር ድማ ነቲ ምእመን ኪወሃብ
ይርከብ። በቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተሠርዐን ዝተመርሐን ሓገዙ ኣቢሉ ናይ ወድሰብ
ሠናይ ተግባራቱ ብኽርስቶስ ዚርከብ ኮይኑ፣ እቲ ትሩፋት-ሰብ ብቐንዱ'ውን ናይ
እግዚኣብሔር እዩ።

**2009** ብመደብ ጸጋ ኣብ መለኮታዊ ባሕርይ ተሳተፍቲ ዚገብረና ናይ ጸጋ
604 ውሉድነት፣ ሳላ'ቲ ብኽምኡ (ብናጻ) ዚወሃብ ጽድቂ-ኣምላኽ ኣባና ሓቀይና ትሩፋት
ከፍሪ ይኽእል። እዚ ብመደብ-ጸጋ ዝረኸብናዮ መሰልና እንኪኸውን፣ ንሱ ኸኣ
ምስ ክርስቶስ "መዋርስቱ" ዚገብረናን፣ ነቲ "ብተስፋ እንጽበዮ ናይ ዘለዓለማዊ
ሕይወት ውርሻ" ዘብቀዓናን ምኻኑ እዩ።[60] እቲ ናይ ሠናይ ተግባራት ትሩፋት
ናይ ኂሩት-መለኮት ህያብ እዩ።[61] "ጸጋ ቀቅድሚኡ ይጐዓዝ ኣሎ፤ ሕጂ እነሆ እቲ
ዚግበኣና ረኺብና..... ትሩፋትና ህያብ-ኣምላኽ እዩ"።[62]

**2010** እቲ ዚግበር ተበግሶ ብመደብ ጸጋ ናይ ኣምላኽ ስለዝኾነ፣ ኣብ'ቲ ፈላሚ
1998 ግብረ ንስሓን ምምላስን፣ ነቲ ናይ ምሕረትን ግብረ-ጽድቅን መዠመርያ ጸጋ
ዚበቅዕ ትሩፋት ወይ ሞያ ኪህልዎ ዚኽእል ሰብ የልቦን። ብጸጋ መንፈስ ቅዱስን
ብፍቕርን ተንቀሳቒስና፡ ንቅድስናናን፣ ንምብዛሕ ጸጋን ፍቕርን፣ ንምጭባጥ
ዘለዓለማዊ ሕይወትን ዘብቀዓና ጸጋታት፡ ንርእስና ኾነ ንኻልኦት ክንረክብ
ንኽእል። ጥዕናን ምሕዝነትን ከምዝበለ ግዜያዊ ሠናይ ነገራት እውን ከይተረፈ
ብመሠረት ጥበብ-ኣምላኽ ክንረኽቦ እንኽእል እዩ። እዚ ጸጋታትን ሠናያትን ድማ
ናይ ጸሎት-ክርስትና ዕላማ እዩ። ዓስቢ ምእንቲ ዘውህብ ተግባራት፣ ዜድልየና
ጸጋ ብጸሎት ንረኽቦ።

**2011** ፍቕሪ-ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ-እግዚኣብሔር ናይ'ቲ ኩሉ ትሩፋትናን
492 ሠናይ ተግባራትናን ምንጪ እያ። ጸጋ-ኣምላኽ ብግብራዊ ፍቕሪ ምስ ክርስቶስ
ተወሃሀደና፣ ናይ ተግባራትና መልዕልተ-ባሕርያዊ መዓርግን፤ ከም ሳዕቤኑ ከኣ
ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ንዚረኽቦ ትሩፋትን ውሕስነት ትህብ። ቅዱሳን'ውን
እንተኾኑ እቲ ኹሉ ትሩፋቶም ውጹእ ጸጋ-ኣምላኽ ምኻኑ ወትሩ ዝተገንዘብዎን፡
ኣነኢሮም ዝተረድኡዎን ነገር ነበረ።

---

[60] ጉባኤ ትረንቶስ (1547)፡ ደንዚንገር DS 1546
[61] ጉባኤ ትረንቶስ (1547)፡ ደንዚንገር DS 1548 ረአ
[62] ቅ.ኣጐስጢኖስ Sermo 298, 4-5፡ PL 38, 1367.

> ድሕር'ዚ ምድራዊ ስደት፣ ፈጺመ ክግዕዝን፡ ኣብ'ቲ ቤት-ኣቦይ'ውን ነኣኻ ብምርካብ ክሕጐስን ተስፋ ኣሎኒ፣ እንተኾነ ንመንግሥተ ሰማይ ዚበቅዕ ትሩፋት (ሞያ) ክእክብ ድልየት የብለይን። ምእንቲ ፍቕርኻ ብሕቱ .....ክሰርሕ እዩ ባህገይ። ኣብ ዓራርቦ (ምዝዛም) እዛ ሕይወት'ዚኣ ኣብ ቅድሜኻ ጥራሕ ኢደይ እየ ዝቐርብ'ሞ፣ ኦ! ጐይታይ! ንተግባራተይ ክትመዝኖ ወይ ክትጽብጽቦ ኣይሓተካን። እቲ ኹሉ ጽድቅና (ርትዕና) ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ብዘይካ ርስሓት ኣይኮነን። ምእንት'ዚ እምበኣር ብናትካ ጽድቂ ዝተኸደንኩ፣ ካብ'ቲ ፍቕርኻ'ውን፣ እቲ ናትካ ዘለዓለማዊ ሃብቲ ዝተቐበልኩ ክኸውን እምነ።[63] 1460

# IV. ቅድስና ክርስትያን

**2012** "ነቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ፣ ከም መደቡ'ውን ዝተጸውዑ ግና ኹሉ ንሠናይ ከምዚድግፎም ንፈልጥ ኢና። ነቶም ኣቐዲሙ ዝፈለጦም፣ ንሱ ንብዙኃት ኣኅዋት በዅሮም ምእንቲ ኪኸውን፣ ንምስሊ ወዱ ኪመስሉ ቐደም መደቦም። ነቶም ቀደም ዝመደቦም፣ ነኣኣቶም ከኣ ጸወዖም። ነቶም ዝጸወዖም፡ ነኣኣቶም ድማ ኣጽደቖም፤ ነቶም ዘጽደቖም፡ ነኣኣቶም'ውን ኣኸበሮም።"[64] 459

**2013** "ኣብ ዝኾነ ይኹን ትሕድርትን ጕዕዞ-ሕይወትን ዚርከቡ ክርስትያን ኵሎም፡ ንምልኣት ሕይወት-ክርስትናን፣ ፍጽምና ፍቕርን ዝተጸውዑ እዮም"።[65] ኵሎም ድማ ንቕድስና ተጸዊዖም ኣለዉ፤ "ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም፡ ፍጹም ዝኾነ፣ ንስኻትኩም'ውን ፍጹማን ኩኑ"[66]:- 915 2545 825

> ምእመናን ናብ'ዚ ፍጽምና'ዚ ምእንቲ ኪበጽሑ፣ ነቲ ብህያባት-ክርስቶስ ዝረኸብዎ ኃይሊ ብዚግባእ ኪጥቀሙሉ ይግባእ። ከም'ዚ ብዚገብርሉ ግዜ ድማ፣ ኣብ ኩሉ ነገር ፍቓድ-እግዚኣብሔር ኣቦ ብምፍጻም፣ ርእሶም ብምስሊ ክርስቶስ ቀሪጾም፣ ኣሰር-ኣሰሩ ተኸቲሎም፣ ንኽብረ-ኣምላኽን ንኣገልግሎት-ብጻዮምን ኵለንትናኦም ከወፍዩ ይኽእሉ። በዚ ዓይነት'ዚ ድማ ብሕይወት እልፊ ቅዱሳን ኣብ ታሪኽ-ቤተ'ክርስትያን ብግልጺ ከምዝተራእየ፣ ናይ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ቅድስና ኣዝዩ ንሕኑሕ (ብዙሕ) ብዝኾነ ፍርየት ኪዓቢ እዩ።[67]

**2014** መንፈሳዊ ምዕባሌ ድማ ብባሕሪኡ ኣዝዩ ዓሚቕ ዝኾነ ምስ ክርስቶስ ናብ ዚግበር ምውህሃድ ገጹ ዚስጉም እዩ። በቲ ምሥጢራት ክርስትና ብቅዱሳት ምሥጢራት (ነገራት) ኣቢሉ ኣብ'ቲ ምሥጢር ክርስቶስ፣ በኣኡ ኣቢሉ ድማ ኣብ ምሥጢረ ቅድስት ሥላሴ ዘሳትፍ ስለዝኾነ፣ እዚ ውህደት'ዚ (ሓድነት'ዚ) 774

---

[63] ቅ.ተሬዛ ዘ ሊሴ "Act of Offering" in Story of a Soul, tr. John Clarke (Washington DC፡ ICS, 1981), 277
[64] ሮሜ 8፡28-30
[65] ብር.ኣሕ. LG 40 § 2
[66] ማቴ 5፡48
[67] ብር.ኣሕ. LG 40 § 2

"ምሥጢራዊ" (መንፈሳዊ-ረቂቕ) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንኹሉ ብኸምኡ (ብናጻ) ዝተዋህበ ጸጋ ምእንቲ ኪግለጽ'ኳ፣ ናይ'ዚ ምሥጢራዊ (መንፈሳዊ) ሕይወት ፍሉይ ጸጋታትን፣ ትእምርትን (ተኣምራትን) ንገለ ወገናት ጥራሕ ዝተዓደለ እንተኾነ፣ ንሕና ኹልና ምስኡ ዝዓመቔን ዝጠበቐን ምውህሃድ ንኪህልወና፡ እግዚኣብሔር ኪጽውዓና ይርከብ።

**2015** እታ መንገዲ-ፍጽምና ብመንገዲ መስቀል ኣቢላ እያ እትሓልፍ።
407 ብዘይካ ርእሰ-ምናኔን፡ መንፈሳዊ ውግእን (ቃልስን) ዚርከብ ቅድስና የልቦን።[68] እዚ
2725 መንፈሳዊ ምዕባሌ ዚበሃል፡ ናይ ሰላምን ታሕጓስን ሃለዋት ናብ ዝኾነ ሕይወት
1438 ብፅዕና በብቕሩብ ዚመርሕ፣ ናይ መንፈስ ጻዕርን ገድልን፣ ርእስኻ ምቕጻዕን ዘጠቓልል እዩ፣

> እቲ ዚድይብ፣በቲ መወዳእታ ዘይብሉ መበገሲታት እናናሳዕ እንካብ ምድያብ ኣየቋርጽን እዩ። ነቲ ድሮ ዝፈለጦ ሃረር እንካብ ምባል ኣይዕገትን።[69]

**2016** ደቅ'ዛ ኣዴና ቅድስት ቤተክርስትያን ዝኾኑ ኵሎም፣ ክሳብ መወዳእታ
162 ዜሰንዮም ጸጋ-ጽንዓት ኪህቦምን፣ ብጸጋኡ ተሓጊዞም ኣብ ሱታፌ-ክርስቶስ
1821 ኮይኖም ምእንቲ ዝፈጸምዎ ሠናይ ተግባራት፣ ካብ እግዚኣብሔር ኣቦኦም ዓስቢ
1274 ኪረኽቡሉን ጽኑዕ ተስፋ ይገብሩ።[70] ነታ ሓንቲ መምርሒ ሕይወት ብምሕላው፣ "ንመርዓዊኣ ኢላ ከም ዝተሸለመት መርዓት ተዳልያ ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ" ኣብ እትወርድ "ኣብ'ታ ቅድስቲ ከተማ ሓዳስ ኢየሩሳሌም"[71]፣ ብምሕረት-ኣምላኽ ዝተኣከቡ ምእመናን ኵሎም፣ ኣብ'ዛ "ብፅዕቲ ተስፋ" ኪሳተፉ ይርከቡ።

## ብሓጺር

**2017** ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ነኣና (ርትዒ) ጽድቂ-ኣምላኽ ይዕድለና። መንፈስ ቅዱስ ድማ ብእምነትን ብጥምቀትን ገቢሩ፣ ኣብ ናይ ክርስቶስ ሥቓያትን ትንሣኤን ኣወሃሂዱ፣ ኣብ ሕይወቱ ተሳተፍቲ ይገብረና።

**2018** ልክዕ ከም መደብ ንስሓ (ምምላስ)፣ ግብረ-ጽድቂ እውን ክልተ መዳይ ኣለዎ። ወድሰብ ብጸጋ ተንቀሳቒሱ፡ ናብ ኣምላኽ ገጹ ይምልስ፣ ካብ ኃጢኣት ድማ የልግስ፤ ምእንት'ዚ ከኣ ካብ ላዕሊ (ሰማይ) ምሕረትን ጽድቂ-ኣምላኽን ይቕበል።

**2019** ግብረ-ጽድቂ ኪበሃል ከሎ፣ ንኅድገት ኃጢኣትን ቅድስናን፣ ናይ'ቲ ውሽጣዊ ሰብ ተሓድሶትን ዘጠቓልል እዩ።

---

[68] 2 ጢሞ 4 ረአ
[69] ቅ.ጎርጎርዮስ ዘኑሲስ Hom. in Cant. 8፡ PG 44, 941C.
[70] ጉባኤ ትረንቶስ (1547)፡ ደንዚንገር DS 1576 ረአ
[71] ራእ 21፡2

2020 ግብረ-ጽድቂ ሳላ ሥቓያት-ክርስቶስ ዝተረኽበልና እዩ። ብጥምቀት ተዓዲልናዮ ኣሎና። ምስ'ቲ ዜጽድቐና ናይ ኣምላኽ ርትዕን ጽድቅን ከምንሰማማዕ ይገብረና። ዕላማኡ ከኣ ክብሪ እግዚኣ ብሔርን ክርስቶስን፣ ህያብ ዘለዓለማዊ ሕይወትን እዩ። እቲ ዝበለጸን ዝተመርጸን ናይ ምሕረት-ኣምላኽ ፍርያት እዩ።

2021 ጸጋ ማለት፣ ውሉዱ ንምኳን ንዝቐረበልና መጸዋዕታ ዚግባእ ምላሽ ንምሃብ ኣምላኽ፣ ዚህበና ሓገዝ እዩ። ናብ'ቲ ናይ ቅድስቲ ሥላሴ ውሽጣዊ ሕይወት የተኣታትወና።

2022 ኣብ መደብ ጸጋ፡ ዚፍጸም መለኮታዊ ተበግሦ ነቲ ናይ ወድሰብ ናጻ ምላሽ ቅድመኹነት ኪኾኖ፣ ከሰናድዎን ከለዓዕሎን ይርከብ። ጸጋ ድማ ነቲ ዝዓመቔን ዝረቐቐን ናይ ሰብኣዊት ናጽነት ባህጊ ምላሽ ዚህብ እዩ፤ ናጽነት-ሰብ ምስኡ ከምትተሓባበርን ፍጽምና ከምትረክብን ይገብር።

2023 ቀዳሲ ጸጋ ድማ፡ እግዚኣብሔር ዚልግሠልና ናጻ ዝኾነ ህያብ እንኪኸውን፣ ትሕዝቶኡ እውን እቲ ሕይወቱ ብቐንዱ እዩ። እዚ ኸኣ ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ'ታ ነፍሲ ዚሠርዕ ኮይኑ፡ ካብ ኃጢኣታ ኪፍውሳን፣ ኪቕድሳን ይርከብ።

2024 ቀዳሲ ጸጋ "ንእግዚኣብሔር ከም እነሥምሮ(ከምነሓጉሶ)" ይገብረና። ናይ መንፈስ ቅዱስ ህያባትን (ካሪዝማ) ፍሉይ ጸጋታትን፡ ናብ'ቲ ቀዳሲ ጸጋ ገጹ ዘተኰረን፣ ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ሓባራዊ ረብሓ ዝዓለመን እዩ። ካብ'ቲ ኣባና (ምሳና) ዚነብር ልሙድ ጸጋ ዝተፈልየ፣ በቲ ብዙሕ ግብራዊ ጸጋታት ገቢሩ'ውን እግዚኣብሔር ኪሰርሕ ይርከብ።

2025 እግዚኣብሔር በቲ ናጻ ዝኾነ መደቡ ንሰብ ኣብቲ ግብረ-ጸጋኡ ከሳትፎ ስለዝፈቐደ ጥራሕ'ዩ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ትሩፋት ኪህልወና ዚከኣል። ትሩፋት እምበኣር ቅድሚ ኹሉ ናይ ጸጋ-ኣምላኽ፣ ድሕሪኡ ድማ ናይ ሰብኣዊ ምትሕብባር ፍረ ይኸውን። እቲ ናይ ሰብ ትሩፋት፡ ሳላ ኣምላኽ ዚርከብ እዩ።

2026 ሳላ'ቲ ዝረኸብናዮ ውሉድነት-ጸጋ፣ ከምኡ'ውን ብመሠረት'ቲ ብኸምኡ ዚወሃብ ጽድቂ-ኣምላኽ፣ ጸጋ-መንፈስ ቅዱስ ኣባና ሓቀይና ትሩፋት ከፍሪ ይኽእል። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ናይ ትሩፋት ቀንዲ ዓይኒማይና ፍቕሪ እያ።

2027 ነቲ ኣብ መበቈል ንስሓ (ምምላስ) ዚርከብ ፈላሚ ጸጋ ዚበቅዕ ትሩፋት ዘለዎ ሰብ የልቦን። ብመንፈስ ቅዱስ ተንቀሳቒስና፣

ሕይወት ዘለዓለም ኮነ፣ ኣገዳሲ ግዜያዊ ሠናያት ንምርካብ ዜድሊ ጸጋታት ኵሉ ንርእስና ኮነ ንኻልኦት ክንረክብ ንኽእል ኢና።

**2028** “ኵሎም ክርስትያን ንምልኣት ሕይወት ክርስትናን፡ ንፍጽምና-ፍቕርን ዝተጸውዑ እዮም። (ብ/ኣሕ.LG 40 § 2)። “ክርስትያናዊት ፍጽምና ዘላ’ታ ሓንቲ ጕድለት፣ ጕድለት ዘይብላ ምኳና ጥራሕ እያ” (ቅ.ጎርጎርዮስ ዘኑሲስ፣ De vita Mos.: PG 44, 300 D)

**2029** “ኪስዕበኒ ዚደሊ ሰብ፣ ሕይወቱ ይመንን፣ መስቀሉ ኣልዒሉ ድማ ይስዓበኒ” (ማቴ.16፡24)።

## ኣንቀጽ 3
# ቤተክርስትያን፡ ኣደን መሃሪትን

**2030** ሓደ ክርስትያን ንጸዋዕታኡ ኣብ ተፍጻሜቱ ዘብጽሕ፡ኣብ ቤተክርስትያን
828 ኮይኑ፣ ምስ’ቶም ኵሎም ዝተጠምቁ ሱታፌ ብምርካብ እዩ። ትምህርቲ “ሕጊ-
1172 ክርስቶስ”[72] ዝትሕዝቶኡ ቃል-እግዚኣብሔር ካብ ቤተክርስትያን ይቕበል። ኣብ “መንገዱ” ዘጽንየን ስንቂ ዚኾኖን ጸጋ-ምሥጢራት ኣብ’ዛ ቤተክርስትያን እዚኣ ይረክብ። ካብ’ዛ ቤተክርስትያን ኣብነት ቅድስና ይመሃር፣ ኵለንትናኣ ቅድስቲ ኣብ ዝኾነት ድንግል-ማርያም ድማ ናይ ቅድስና-ቤተክርስትያን ኣርኣያን ምንጭን ከስተውዕል፣ ብግብሪ ኣብ ዚነብርዎን ብተኣማንነት ኣብ ዚምስክርዎን ፈልዩ ከለሊ፣ ቅድሚኡ ኣብ ዝሓለፉን፣ ሥርዓተ-ኣምልኾ ብበዓላቶም ናይ ዘኽብሮም ቅዱሳን ነዊሕ ታሪኽን መንፈሳዊ ትውፊትን ኪርዳእ ይርከብ።

**2031** ሕይወት-ሞራል መንፈሳዊ ኣምልኾ እዩ። ኣብ’ቲ ንሕና እነቕውሞ
1368 ኣካል-ክርስቶስ፣ ኣብ’ቲ መሥዋዕተ ቅዱስ ቍርባኑ ብምስታፍ’ውን፣ “ንሰብነትና ሕያውን ቅዱስን፣ ንኣምላኽ ባህ ዘብልን መሥዋዕቲ ገቢርና ነቕርቦ”[73]። ኣብ ግብረ-ኣምልኾን፣ ኣብ’ቲ ሥርዓተ-ምሥጢራትን፣ እቲ ትምህርተ-እምነትን ጸሎትን ምስ ጸጋ-ክርስቶስ ሠሚሩ ንኽርስትያናዊ ተግባራት የብርህን ይምግብን። ልክዕ ከም’ቲ ኣብ መላእ ክርስትያናዊ ሕይወት ዚረአ፣ ናይ ሞራላዊ ሕይወት ምንጬን ዝለዓለ ተድባቡን መሥዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን እዩ።

---

[72] ገላ 6፡2
[73] ሮሜ 12፡1

# I. ሞራላዊ ሕይወትን፣ ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርትን 85-87 888-892

**2032** እዛ "ናይ ሓቂ ዓንድን መሠረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን"[74] ነቲ ዘድኀን ሓቂ ንምብሣርን ንምንጋርን፡ ዝተዋህበ ዓቢይ ትእዛዝ-ክርስቶስ ካብ ሓዋርያት ተቐቢላቶ እያ። "ንመሠረታዊ መሰላት-ሰብ፣ ወይ ከኣ ንድኀነት-ነፍሳት ብዚግድስ ዘበለ ኩሉ፣ ንሥርዓት ኀብረተሰብ ዚምልከት'ውን ከይተረፈ፣ ንሰብኣዊ ጕዳያት ብዚርኢ፣ ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን፡ ፍርዲ ኮነ ናይ ሞራል መምርሒ ምሃብ ናይ ቤተክርስትያን መሰል እዩ"።[75] 2246 2420

**2033** ንሞራል ዚርኢ ናይ መራሕቲ (ጓሶት) ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት፣ ብናይ ማእምራን ሥነ-መለኮትን፣ መንፈሳውያን ደረስትን ጽሑፋት ተሓጊዙ፣ ብናይ ትምህርተ-ክርስትናን (catechesis) ስብከትን ልሙድ መደባት ኪፍጸም ይርከብ። ምእንት'ዚ ከኣ እዚ ናይ ክርስትና "መዝገበ" ትምህርተ-ሞራል፣ ብናይ ጓሶት-ቤተክርስትያን ጥንቁቕ ሓለዋን ኣመራርሓን፣ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ተመሓላሊፉ ኣሎ። እዚ መዝገብ'ዚ ድማ ፍሉይን ዓይነተይናን ሕግታትን፣ ካብ እምነት ክርስቶስ ዚብገስን፡ ብመደብ ፍቕሪ ዚንቀሳቐስን ትእዛዛትን፣ መንፈሳውን ሰብኣውን ኃይላትን ዝሓቝፈ እዩ። ምስ'ቲ ጸሎተሃይማኖትን፡ ጸሎት "ኣቡነ ዘበሰማያትን" ማዕረ ማዕረ ናይ'ቲ መደብ ትምህርተ-ክርስትና (catechesis) መሠረት ኮይኑ ዝጸንሐ ዓሠርቱ ቃላት ኣሎ። እዚ ዓሠርተ ትእዛዛት ንዅሎም ሰባት ዚበቕዕ ናይ ሞራላዊ ሕይወትን ሥነምግባርን መምርሕታት የቕርብ። 84

**2034** ሮማዊ ርእሰ ሊቃነጳጳሳትን፡ ኣቡናትን (ጳጳሳትን) ሥልጣነ-ክርስቶስ ዝለበሱ መምህራን ኮይኖም፣ ሕድሪ ንዝተዋህቦም ሕዝቢ ትምህርተ-እምነት ዚምህርዎ፣ ነታ ክትእመንን ኣብ ግብሪ ክትፍጸምን ዘለዋ እምነት ዚነግርዎ "ኡነተይናታት መምህራን" እዮም።[76] ርእሰ ሊቃነጳጳሳት፣ ከምኡ'ውን ጳጳሳት (ኣቡናት) ምስኡ ብዘለዎም ሱታፌ ሠሚሮም ብዚፍጽምዎ ሥሩዕን ንቡርን፡ ኵላውን ሥልጣነ-ትምህርት፣ ብዛዕባ'ታ ኪኣምንዋን ኪቕበልዋን ዘለዎም ሓቂ፣ ብተግባር ኪፍጽምዋ ዘለዎም ፍቕሪ፣ ኪትስፈዉዋ ዘለዎም ብፅዕና ንምእመናን ኪምህርዎም ይርከቡ።

**2035** ኣብ ሥልጣነ-ክርስቶስ ናይ ዚህሉ ሱታፌ ዝለዓለ ደረጃኡ በቲ ናይ ዘይምስሕሓት (ጸጋ) ውህበት ተረጋጊጹ ይርከብ። እዚ ናይ ዘይምስሕሓት ክእለት መጠን'ቲ መዝገብ መለኮታዊ ግልጸት ዚዝርጋሕ እዩ። ንኹሉ መዳያት ትምህርተ-እምነት፣ ንትምህርተ-ሞራል'ውን ከይተረፈ ዘጠቓልል እንኪኸውን ብዘይካኡስ፡

---

[74] 1 ጢሞ 3፡15፣ብር.ኣሕ. LG 17
[75] ሕገቀኖና፣ ቀ. 747 § 2
[76] ብር.ኣሕ. LG 25

እቲ ዜድኅን ናይ እምነት ሓቅታትን መሠረታትን ኪዕቀብ፣ ኪግለጽ (ኪትንተን)፣ ኪሕሎ፡ ኣይምተኻእለን።[77]

**2036** ብፈጣሪ ዝተኣመመን ዝተመደበን ሓለዋኡ ንድኅነት ኣድላዪን ኣገዳስን
1960 ስለዝኾነ፣ እቲ ሥልጣነ-ትምህርት ክሳብ'ቲ ናይ ባሕርያዊ ሕጊ መምርሕታት'ውን ክይተረፈ ዚበጽሕ እዩ። እዚ ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት ነቲ ናይ ባሕርያዊ ሕጊ ትእዛዛት ከዘኻኽርን ኪነግርን ከሎ፣ ንደቂሰባት ነቲ ሓቀይና ኵነቶም ብምንጻርን፣ ኣብ ቅድሚ-ኣምላኽ ኪኾንዎ ዚግበኦም ኣየናይ ምዃኑ ብምዝርዛርን፣ ናይ'ቲ ትንቢታዊ ተግባሩ (ሥልጣኑ) ኣገዳሲ እጃም ኪፍጽም ይርከብ።[78]

**2037** እቲ ንቤተክርስትያን ሕድሪ ዝተዋህበ ሕጊ-እግዚኣብሔር፡ ከም መጠን
2041 መንገዲ ሕይወትን ሓቅን ምእመናን ዚመሃርዎ እዩ። ምእመናን እምበኣር፣ ብጸጋ ገቢሩ ፍርድን ግምትን ንዜንጽሕ፣ ዝቖሰለ ሰብኣዊ ኣእምሮ ንዚፍውስን ዜድኅንን መለኮታዊ መምርሕታት ኪመሃርዎ መሰሎም እዩ።[79] ብናይ ቤተክርስትያን ሕጋዊ በዓልሥልጣን ንዝተኣወጀ ሥርዓታትን ድንጋገታትን ኪሕልዉ ከኽብሩ ከኣ ግዴታ ኣለዎም። ንሥነስርዓታዊ ጕዳያት ዚርኢ'ውን እንተኾነ ብመንገዲ ፍቕርን ልዝብነትን ምሕላዉ ይግባእ።

**2038** ቤተክርስትያን ንኽርስትያናዊ ሞራል ማለት ንሥነምግባር ዚርኢ
2442 ክትምህርን፣ ብኸመይ ከምዚፍጸም ክትሕብርን ከላ፣ ናይ ኀሶት-ነፍሳት ተወፋይነትን ናይ ማእምራን ሥነ-መለኮት ብስለትን ክእለትን፣ ናይ ኵሎም ክርስትያንን ሰብ ጽቡቕ ድላይን ኣበርክቶን የድልያ እዩ። ኣብ ወንጌል ዘለዎ እምነትን፣ ኣብ ግብሪ ንኸውዕሎ ዚፍጽሞ መደባትን ኩሉ፣ ንነፍስወከፍ ሰብ ኣብ ክርስቶስ ንዚረኽባ ሕይወት ከምዘስተማቕር ይገብሮ። ክርስቶስ ድማ ንሰብ ብርሃን የንጸባርቐሉ'ሞ፣ ብመንፈስ-ኣምላኽ ተመሪሑ ንመለኮታውን ሰብኣውን ነገራት ኪመዝንን ኪግምግምን የኽእሎ።[80] ምእንት'ዚ ኸኣ፡ ነቶም ምሁራትን፡ ኣዝዮም ምርኡያትን ንኸብረሃሎም፡ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ዝተሓተ ወገን ኪጥቀም ከምዚኽእል ይረኣ።

**2039** ኣገልግሎት ወይ ተልእኮት ድማ ብስም-ጐይታ፣ እሞ ብመንፈስ
1783 ኀውነታዊ ኣገልግሎትን፣ ናይ ቤተክርስትያን ተወፋይነትን ኪፍጸም ይግባእ።[81] ምስኡ'ውን፡ ኅሊና ነፍስወከፍ ሰብ፡ ኣብ ልዕል'ቲ ገዛእ ተግባራቱ ሞራላዊ ፍርዲ ኣብ እትህበሉ እዋን፣ ኣብ ውልቃዊ ግምትን ኣተሓሳስባታትን ተዓጺያ ክትተርፍ ኣይግባእን። ብዚከኣል መጠን ድማ፡ ንናይ ሞራል ሕቶታት ብዚርኢ፣ ኣብ'ቲ

[77] ብር.ኣሕ. LG 25፣CDF, declaration, Mysterium Ecclesiae 3 ረአ
[78] ክብሪ-ሰብ DH 14 ረአ
[79] ሕገቀኖና፣ ቀ. 213 ረአ
[80] 1 ቆሮ 2፡10-15 ረአ
[81] ሮሜ 12፡8፣11 ረአ

ባሕርያዊ ኮነ ዝተገልጸ (*መለኮታዊ*) ሕጊ-ሞራል ዚረጋገጽ፣ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ብናይ ቤተክርስትያን ሕግን *ሥልጣነ*-ትምህርትን ንዚዝርዝር ናይ ሓባር ረብሓ፣ ጎሊና ኣብ ግምት ከተእትዎ ይግበኣ። ናይ ውልቂ ጎሊናን ኣእምሮን ተጻይ'ቲ ሕጊ-ሞራልን፣ ተጻይ'ቲ ናይ ቤተክርስትያን *ሥልጣነ*-ትምህርትን ኮይኑ ኪረአ ኣይግባእን።

**2040** በዚ ዓይነት'ዚ ምእመናን-ክርስትና ብመንፅር ቤተክርስትያን ቅኑዕ ዝኾነ ውሉዳዊ መንፈስ ከማዕብሉ ይኽእሉ። ነኣና ኣብ ማሕፀን-ቤተክርስትያን ዝሓነጸናን (ዝወለደና) ናይ'ቲ ምሥጢራዊ ኣካል-ክርስቶስ ኣባላት ዝገበረናን፣ እቲ ልሙድ ናይ ጸጋ-ጥምቀት ምዕንባብ እዩ። ቤተክርስትያን ድማ በቲ እናታዊ ኃልዮታ ተንቀሳቒሳ፡ ንኹሉ ኃጣውእና ንዚስዕር ምሕረት-ኣምላኽ ትዕድለና፤ እዚ ኸኣ እቲ ብፍሉይ ኣገባብ ኣብ ምሥጢረ ዕርቅን ጎድገትን ዚሰርሕ እዩ። ከምኡ'ውን ኃላዩትን ተገዳሲትን ኣደ ከም ምኻና መጠን፡ በቲ ሥርዓት-ኣምልኾኣ ገቢራ ዕለተ-ዕለት መኣዲ ቃል-ኣምላኽን ቅዱስ ቊርባንን ቀሪባ ትምግበና። 167

## II. ትእዛዛት ቤተክርስትያን

**2041** ናይ ቤተክርስትያን ትእዛዛት፣ ኣብ ግብረ-ኣምልኾኣዊ ሕይወት ምስ ዝተሰኽዐን፣ በኣኡ ዝደንፈዐን ሞራላዊ ሕይወት ዝተኣሳሰረ እዩ። እዚ ብናይ ጕስነት-ምእመናን ሰበሥልጣን ዝተኣወጀ ሥሩዕ ሕጊ ኣስገዳዲ ጠባይ ዘለዎ እንኪ'ኸውን፣ ዕላማኡ ድማ ብመንፈስ ጸሎትን፡ ሞራላዊ ትግሃትን፣ ኣብ ፍቕሪ-ኣምላኽን ፍቕሪ-ብጻይን ብዚገብርዎ ዕብየትን፣ ንምእመናን ብውሑዱ ናይ'ቲ ኣድላዪ ዚበሃል ነገራት ውሕስነት ንምሃብ እዩ፡-

**2042** እቲ ቐዳማይ፡- *"ብሰናብትን በዓላትን ኣቐድስ፣ ካብ ስራሕ'ውን ኣዕርፍ፣"* ዚብል እዩ። እዚ ትእዛዝ'ዚ ንምእመናን፣ ዝኸሪ ትንሣኤ-ጐይታና ንእንገብረሉ ዕለት፣ ከምኡ'ውን ንምሥጢራት-ጐይታና ዜዘኻኽር በዓላተ-ወልድ፣ ብፅዕት ድንግል ማርያምን፣ ቅዱሳንን ንእነኽብረሉ ቀንዲ ሥርዓተ-ኣምልኾኣዊ በዓላት ክንቕድሶ ይእዝዘና። እዚ ኸኣ ማኅበረ-ክርስትና ተኣኪቡ ብቐዳምነት ኣብ ሥርዓተ ቅዱስ ቊርባን (*መሥዋዕተ ቅዳሴ*) ብምስታፍን፣ ከም'ዚ ንዝበለ በዓላት ንምቕዳስ ካብ ዚዕንቅጽ ስራሓትን ተግባራትን ብምዕራፍ ይፍጸም።[82] 1389 2180

እቲ ካልኣይ ትእዛዝ፡- *"ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ኃጣውእካ ተናዘዝ፣"* ዚብል እንኪ'ኸውን፣ ስራሕ ጥምቀት ንዝኾነ ንስሓን ምሕረትን ዚቕጽል ምሥጢር ዕርቂ ብምቕባል፡ ንሱታፌ ቅዱስ ቊርባን ዜሰናዱ እዩ።[83] 1457

---

[82] *ሕገቀኖና፣ ቀ*. 1246-1248፣*ሕገቀኖና፣ ምሥ.ቀ*. 880 § 3, 881§ 1,2,4 *ረአ*
[83] *ሕገቀኖና፣ ቀ*.989፣*ሕገቀኖና ምሥ.ቀ*. 719 *ረአ*

እቲ ሣልሳይ ትእዛዝ፡- *“እንተወሓደ ብእዋን ፋሲካ ኣብ ምሥጢረ*
1389 *ቅዱስ ቍርባን ተሳተፍ (ተቐበል)”* ይብል። እዚ ድማ ብውሑዱ በቲ ናይ
ክርስትያናዊ ግብረ-ኣምልኾ መበቈልን ዓንደማእከልን ዝኾነ በዓላት ፋሲካ ናይ
ጐይታ ሥጋኡን ደሙን ንምቕባል ውሕስነት ይህብ።[84]

**2043** ራብዓይ ትእዛዝ፡- *ብቤተክርስትያን ዝተሠርዐ ዕለታትን ኣጽዋማትን*
2177 *ሕርመትን (ተከልኦትን) ኣኽብር (ሓሉ)፤* ዚብል እዩ። ነቲ ሥርዓተ-ኣምልኾኣዊ
በዓላት ዘሰናድወናን፡ ንስምዒትናን ባሕርያዊ ድፍኢትናን ንምግታእን፣ ሓርነት
ልቢ ንምርካብን ዚሕግዘና፣ መንፈሳዊ ሕይወትን ናይ ንስሓ እዋናትን ዜረጋግጸልና
እዩ።[NT1.][85]

ኃምሳይ ትእዛዝ፡- *ብኃልዮትካ ንናይ ቤተክርስትያን ግድነት (ጸገማት)*
1387 *ሓግዝ።*[86] በዚ ትእዛዝ'ዚ ነፍስወከፍ ምእመን ዓቕሙ ብዘፍቀደሉ መጠን፣ ብግዙፍ
1438 ንዋታውን ገንዘባውን ኣበርክቶ ኣብ ጸገማት ቤተክርስትያን ኪሕግዝ ግዴታ ከም
1351 ዘለዎ ይግለጽ። [NT2.][87]

## III. ሞራላዊ ሕይወትን፡ ተልእኮ-ወንጌላዊ ምስክርነትን

**2044** እቶም ዝተጠምቁ ምእመናን ንስብከተ ወንጌልን፣ንተልእኮ-ቤተክርስትያን
852 ኣብ ዓለምን፡ ዘርእይዎ ተኣማንነት መሠረታዊ ቅድመ-ኵነት እዩ። ናይ መልእኽቲ
905 ድኅነት ኃይሊ-ሓቅነቱን ድምቀቱን ኣብ ቅድሚ ሰባት ምእንቲ ኪንፀባረቕ ድማ፡
ብናይ ሕይወት-ክርስትያን ምስክርነት ኪረጋገጽ የድልዮ። “ናይ ክርስትያናዊት
ሕይወት ምስክርነትን፣ ብመልዕልተ-ባሕርያዊ መንፈስ (ኣተና) ዝተፈጸመ ሠናይ
ተግባራትን ኩሉ፣ ሰባት ኣብ ኣምላኽ ንኺኣምኑ ዚስሕቦም ዓቢይ ኃይሊ እዩ”።[88]

**2045** ናይ'ቲ ክርስቶስ ዝርእሱ ኣካል ኣባላት ብምዃኖም፣[89] ብናይ ርድኢቶም
753 ጽንዓትን፣ ብናቶም ሞራላዊ ሕይወትን፣ ምእመናን ንሕንጸት ቤተክርስትያን
828 ከበርክቱ ይርከቡ። “ንሕና ኵልና ብእምነት ሓደ ኾይንና፣ ንወልደ-ኣምላኽ ፈሊጥና
ናብ እኹል ሰብ፣ ናብ ምልኣት-ክርስቶስ ክሳብ እንበጽሕ[90] ቤተክርስትያን
ብቅድስና-ምእመናን ኣቢላ ትውስኽ ተዓቢ ትምዕብል።

---

84 ሕገቀኖና፣ ቀ. 920፣ሕገቀኖና ምሥ.ቀ. 708፣881 § 3 ረአ
85 ሕገቀኖና፣ቀ.1249-1251፡ ሕገቀኖና ምሥ.ቀ. 882 ረአ
86 ሕገቀኖና፣ቀ. 222፣ሕገቀኖና ምሥ.ቀ. 25፣ ብተወሳኺ ንሰበኻታቶም ዜድሊ ካልእ ትእዛዛት-ቤተክርስትያን ብጉባኤ-ጳጳሳት ኪወሃብ ይከኣል(ሕገቀኖና፣ ቀ. 455 ረአ)
87 ሕገቀኖና፣ ቀ. 222 ረአ
88 ሓዋርያዊ ተልእኮ 6 § 2
89 ኤፌ 1፡22 ረአ
90 ኤፌ 4፡13፣ብር.ኣሕ. LG 39 ረአ

**2046** ከም ኅሊና-ክርስቶስ ኪነብሩ እናጸዓሩ፡ ክርስትያን፡ ናብ'ቲ "መንግሥቲ 671
ፍትሕን ርትዕን፣ መንግሥቲ ፍቕርን ሰላምን"[91] ዝኾነ፣ ኪመጽእ ናብ ዘለዎ 2819
መንግሥቲ-ኣምላኽ ገጾም ይስጒሙ። ኣብ'ዚ ኩሉ ግን፡ ነቲ ምድራዊ ዕማማቶም ከይሓደጉ፣ ንኵይታኦም እሙናት ብምኳን፣ ብቕንዕናን ትዕግሥትን ፍቕርን ኪፍጽምዎ ይርከቡ።

## ብሓጺር

**2047** ሞራላዊ ሕይወት መንፈሳዊ ኣምልኾ እዩ። ክርስትያናዊ ተግባራት ድማ በቲ መደብ ግብረ-ኣምልኾን ብሥርዓተ-ምሥጢራትን ይምገብ።

**2048** ትእዛዛት-ቤተክርስትያን፣ ምስ ግብረ-ኣምልኾ ንዝተኣሳሰረን፣ በኣኡ ዚምገብን ሞራላውን ክርስትያናውን ሕይወት ዚግድስ እዩ።

**2049** ንኹሉ ሰብ ዚበቅዕ ናይ ሞራላዊ ሕይወት መምርሒ ኣብ ዘቕርብ ዓሠርተ ትእዛዛት (ቃላት) ተመሥሪቱ፣ እቲ ናይ ጓሶት ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት፡ ንሞራላዊ ጕዳያት ዚርኢ ትምህርቱ፣ ብሥሩዕ ኣገባብ ኣብ ግብሪ ዘውዕል፣ ኣብ መደብ ትምህርተ ክርስትናን ስብከትን እዩ።

**2050** ከም መጠን ኡነተይናታት መምህራን፣ ሮማዊ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳትን፡ ኵሎም ጳጳሳትን፡ ብእምነት ኪቕበላን ብሞራላዊ ሕይወቱ ኪፍጽማን ንዘለዎ እምነቱ ንሕዝቢ-እግዚኣብሔር ይምህርዎ። ብኣእምሮን ባሕርያዊ ሕግን ንዚምራሕ ሞራላዊ ግድላት መምርሒ ምሃብ ኣብ ሥልጣኖም እዩ።

**2051** ናይ'ዞም ጓሶት-ቤተክርስትያን ካብ ስሕተት ናጻ ምኳን (ዘይምስሕሓት)፣ እቲ ዘድኅን ሓቅታት-እምነት ብዘይካኡ ኪዕቀብን ኪትንተንን ኪሕሎን ንዘይከኣል፣ ነቲ ሞራላዊ ትምህርተ-እምነት ከይተረፈ፣ ከምኡ'ውን ንኹሉ መዳያት ትምህርተ-እምነት ዜጠቓልል እዩ።

---

[91] *ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ* Preface of Christ the King.

# ዓሠርተ ትእዛዛት

| **ዘፀኣት** 20 ፡ 2-17 | **ዘዳግም** 5 ፡ 6-21 | **ትምህርተ ክርስትናዊ ትውፊት** |
|---|---|---|
| ካብ ምድሪ ግብጺ፡ ካብ ምድሪ ባርነት ዘውጻእኩኻ፣ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ እየ። | ካብ ምድሪ ግብጺ፡ ካብ ቤት ባርነት ዘውጻእኩኻ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ እየ። | 1. ኣነ እግዚኣብሔር ናትካ ኣምላኽ እየ። |
| ብዘይካይ ካልኣት ኣማልኽቲ ኣየሃልዉኻ። ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፣ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ፣ ኣብ ማይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ካብ ዘለዉ ምስልን ሥእልን ዘበለ ነኣኻ ኣይትግበር። ኣይትስገደሎም፡ ኣይተገልግሎም። ኣነ እግዚኣብሔር ቀናእ ኣምላኽ እየ'ሞ ንዚጸልኡኒ ኃጢኣት ኣቦታት፡ ኣብ ደቂ ክሳብ ሣልሳይን ክሳዕ ራብዓይን ወለዶ ዝቐጽዕ፣ ንዚፈትዉንን ትእዛዛተይ ንዚሕልዉን ግና ክሳዕ ኣሽሓት ወለዶ ምሕረት ዝገብር እየ። | ብዘይካይ ካልኣት ኣማልኽቲ ኣየሃልዉኻ... | ኣብ ቅድመይ፡ ካልእ ኣማልኽቲ ኣየሃልዉኻ |
| ኣነ እግዚኣብሔር ስመይ ብኸንቱ ንዘልዓለ ከይቀጻዕኩ ኣይኃድጎን እየ'ሞ፡ ስመይ ስም እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል። | ኣነ እግዚኣብሔር ስመይ ብኸንቱ ንዘልዕል ናጻ ኣይኃድጎን እየ'ሞ፣ ስም እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል.... | 2. ስም እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል። |

| | | |
|---|---|---|
| ንመዓልቲ ሰንበት ቅድስቲ ገቢርካ ክትሕልዋ ፈትን። ሽዱሽተ መዓልቲ ዕየ። ተግባርካ ኩሉ ግበር። እታ ሻብዓይቲ መዓልቲ ግን ናተይ ናይ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ሰንበት እያ። በኣኣ ንስኻ፣ ወድኻ ኮነ ጓልካ ግዙእካ ኮነ ግዝእትኻ ማልካ ኮነ ኣብ ውሽጢ ሃገርካ ዚነብር ስደተይና ከቶ ዕዮ ኣይትዕየ። ኣነ እግዚኣብሔር ብሽዱሽተ መዓልቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣብኣቶም ዘሎ ኹሉን ፈጠርኩ፣ ብሻብዓይቲ መዓልቲ ከኣ ኣዕረፍኩ፤ ስለዚ ኣነ እግዚኣብሔር ንመዓልቲ ሰንበት ባረኽኩዋን ቀደስኩዋን። | ንመዓልቲ ሰንበት ከምቲ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝኣዘዝኩኻ ቅድስቲ ገቢርካ ሓልዋ። ሽዱሽተ መዓልቲ ዕየ፤ ኩሉ ተግባርካ እውን ግበር። እታ ሻብዓይቲ መዓልቲ ግና ናተይ ናይ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሰንበት እያ። | 3. መዓልቲ ሰንበት ኣኽብር። |
| ኣብታ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝሀበካ ምድሪ ዕድመኻ ምእንቲ ኪነውሕሲ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር። | ....ዕድመኻ ምእንቲ ኪነውሕ፣ ምእንቲ ኪጽብቐልካ'ውን ከምቲ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝኣዘዝኩኻ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር። | 4. ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር። |
| ኣይትቕተል | ኣይትቕተል | 5. ኣይትቕተል |
| ኣይትዘሙ | ኣይትዘሙ | 6. ኣይትዘሙ |
| ኣይትስረቕ | ኣይትስረቕ | 7. ኣይትስረቕ |
| ኣብ ልዕሊ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር። | ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር። | 8. ብሓሶት ኣይትመስክር |

| | | |
|---|---|---|
| ቤት ብጻይካ ኣይትመነ፤ ሰበይቲ ብጻይካ፣ ግዙኡ ግዝእቱ ብዕራዩ፡ ኣድጉ ገንዘብ ብጻይካ ዘበለ ኹሉ ኣይትተምነ። | ሰበይቲ ብጻይካ ኣይትመነ። | 9. ሰበይቲ ብጻይካ (ዘይሰበይትኻ) ኣይትመነ። |
| | ቤት ብጻይካ፣ ግራቱ ወይ ግዙኡ ወይ ግዝእቱ ብዕራዩ ወይ ኣድጉ፣ ወይ ናይ ብጻይካ ዘበለ ኹሉ ኣይትመነ። | 10. ንብረት ብጻይካ (ዘይኣቕሓኻ) ኣይትመነ። |

# ሣልሳይ ክፍሊ
# ብኽርስቶስ ሕያው ምዃን

## ካልኣይ ወገን፡
## ዓሠርተ ትእዛዛት

ብሓጺር

## ምዕራፍ ሓደ፡
## ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻ፣ ብምሉእ ነፍስኻ፣ ብዅሉ ኣእምሮኻን ኣፍቅሮ

### ኣንቀጽ 1፡ ቀዳማይ ትእዛዝ

I. ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ጥራሕ ኣምልኽ፣
ነኣኡ ንብሕቱ ኣገልግል

II. "ነኣኡ ንበይኑ ኣምልኽ"

III. "ብዘይካይ ካልእ ኣማልኽቲ ኣየሃልዉኻ "

IV. "ምስልን ሥእልን ዘበለ ኣይትግበር"

ብሓጺር

### ኣንቀጽ 2፡ ካልኣይ ትእዛዝ

I. ስም እግዚኣብሔር ቅዱስ እዩ

II. ስም እግዚኣብሔር ብኸንቱ ምልዓል

III. ስም-ክርስትና

ብሓጺር

### ኣንቀጽ 3፡ ሣልሳይ ትእዛዝ

I. ዕለተ ሰንበት

II. ዕለተ እግዚእነ (መዓልቲ ጐይታ)

ብሓጺር

## ምዕራፍ ክልተ፥
## “ንብጸይካ፥ ከም ርእስኻ ኣፍቅሮ”


### ኣንቀጽ 4፥ ራብዓይ ትእዛዝ

I. ስድራቤት ብመደብ-ኣምላኽ
II. ስድራቤትን ኅብረተሰብን
III. ናይ ኣባላት ስድራቤት ግቡኣት
IV. ስድራቤትን መንግሥቲ-ኣምላኽን
V. ሰበሥልጣን ሲቪል ኅብረተሰብ
ብሓጺር

### ኣንቀጽ 5፥ ኃምሻይ ትእዛዝ

I. ሕይወት ሰብ ምኽባር (ምሕላው)
II. ክብረ-ግርማ ሰባት ምኽባር
III. ሰላም ምሕላውን ምውሓስን
ብሓጺር

### ኣንቀጽ 6፥ ሻድሻይ ትእዛዝ

I. “ተባዕታይን ኣንስተይትን ገቢሩ ፈጠሮም...”
II. ጸዋዕታ ንጽሕና
III. ፍቕሪ ሰበኺዳን (ሰብኣይን ሰበይትን)
IV. ተጻይ ክብሪ-ኺዳን ዝኾነ በደላት
ብሓጺር

### ኣንቀጽ 7፥ ሻብዓይ ትእዛዝ

I. ሓባራዊ ዕላማ ሃብትን፣ ግላዊ ንብረትን
II. ንሰባት ኮነ ንንብረቶም ዚወሃብ ክብሪ
III. ንኅብረተሰብ ዚርኢ ትምህርቲ ቤተክርስትያን
IV. ኤኮኖሚያዊ ምንቅስቓሳትን ማኅበራዊ ፍትሕን
V. ኣብ መንጎ ሃገራት፣ ፍትሒ ኅብረት
VI. ኣፍቅሮ ድኻታት
ብሓጺር

### ኣንቀጽ 8፥ ሻምናይ ትእዛዝ

I. ኣብ ሓቂ ምንባር
II. ንሓቂ ምምስካር
III. ተጻይ ሓቂ ዚፍጸም በደል
IV. ንሓቂ ዚግባእ ክብሪ
V. ኣጠቓቕማ ማኅበረሰባዊ መራኸቢ ብዙኃን
VI. ሓቅነት፣ ሥን (ጽባቔ)፣ መንፈሳዊ ሥነጥበብ
ብሓጺር

## ኣንቀጽ 9፡ ታሽዓይ ትእዛዝ

I. ምንጻሕ ልቢ
II. ንንጽሕና ዚግበር ገድሊ (ቃልሲ)
ብሓጺር

## ኣንቀጽ 10፡ ዓሥራይ ትእዛዝ

I. ሳዕቤናት ስሱዕ ስምዒት
II. ሃረርታ መንፈስ
III. ትሕትና ልቢ
IV. "ንኣምላኽ ክርእዮ እደሊ ኣሎኹ"
ብሓጺር

# ካልኣይ ወገን

## ዓሠርተ ትእዛዛት

### “መምህር! እንታይ ሠናይ ግብሪ ኽገብር...?”

**2052** “መምህር! ሕይወት-ዘለዓለም ክወርስሲ እንታይ ሠናይ ግብሪ ኽገብር”? 1858
እዚ ሕቶ'ዚ ንዘቕረበ መንእሰይ ኢየሱስ ኪምልሸሉ ከሎ፣ ቅድሚ ኹሉ “እቲ ሓደ ሀልው፣ ንሱ እቲ ሠናይ ምኻኑ” እቲ ዝለዓለ ሠናይን፣ ምንጪ ኩሉ ሠናይን ከምዝኾነ ምርግጋጽ ከምዘድሊ ብምግላጽ ይጅምር። ቀጺሉ'ውን ኢየሱስ “ናብ ሕይወት ክትኣቱ እንተደሊኻ ትእዛዛት ሓሉ” በሎ። ከምኡ'ውን ኢየሱስ ንፍቕሪ-ብጻይ ብዛዕባ ዚርኢ ሕግታት (ትእዛዛት) ነዚ ሓታቲኡ ይጠቕሰሉ፤ “ኣይትቕተል፣ ኣይትዘሙ፣ ኣይትስረቕ፣ ብሓሶት ኣይትመስክር፣ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር”። ኣብ መወዳእታ ድማ ኢየሱስ ነዚ ትእዛዛት'ዚ ኣጠቓሊሉ እንኪዛዝም “ንብጻይካ ከም ርእስኻ ኣፍቅር” ይብል።[1]

**2053** ነዚ ቀዳማይ ምላሽ፡ ኢየሱስ ካልኣይ'ውን ይውስኸሉ፡- “ፍጹም 1968
ክትከውን እንተደሊኻስ፣ ኪድ ዘሎካ ሃብቲ ሼጥካ ንድኻታት ሃብ፤ ኣብ ሰማይ 1973
ድማ ሃብቲ ኽትረክብ ኢኻ'ሞ ነዓ፡ ሰዓበኒ”።[2] እዚ ምላሽ'ዚ ነቲ ቀዳማይ ምላሽ ዚፃረር ወይ ድማ ዘወግድ ኣይኮነን፡- ንኢየሱስ ንምኽታል (ንምስዓብ) ነተን ዓሠርተ ትእዛዛት ምሕላው የድሊ። እቲ ሕጊ ብሉይ ፈጺሙ ኣይተሳዕረን[3]፣ የግዳ ወድሰብ ነቲ ሕጊ፡ ኣብ'ቲ ፍጹም ምልኣቱ ዚግለጸሉ መምህሩ(ክርስቶስ) ንኺረኽቦ እዩ ተጸዊዑ ዘሎ። ኣብ'ቲ ሠለስተ ግጽወ ወንጌል (Synoptic) ዚትረኽ፣ ኢየሱስ ነቲ ሃብታም መንእሰይ ንኪኽተሎ ዘቕርበሉ መጸዋዕታ፣ ብናይ ወደመዝሙር ተኣዝዞን፡ ብሓለዋ ዓሠርተ ትእዛዛትን ዚፍጸም እንኪኸውን፣ ምስ'ቲ ናይ ምናኔን (ድኽነትን) ተዓቅቦን (ንጽሕናን) ጸዋዕታ ተኣሳሲሩ ይርከብ።[4] እቲ ናይ ወንጌል ምኽርታት ካብ'ቲ ዓሠርተ ትእዛዛት ተነጺሉ ዚረአ ኣይኮነን።

**2054** ኢየሱስ ነቲ ዓሠርተ ትእዛዛት ተቐቢልዎን ኣጽዲቑዎን፣ ግን ከኣ ኃይሊ 581
መንፈስ ቅዱስ በቲ ቃላቱ (ፊደላቱ) ገቢሩ ከምዚሰርሕ ኣርእዩ እዩ። “ንጽድቂ መምህራን-ሕግን ፈሪሳውያንን”[5] ከምኡ'ውን ነቲ ናይ ኣሕዛብ (ኣረማውያን)[6] ኣገባብ ዚበልጸ መደብ-ጽድቂ ብኢየሱስ ተሰቢኹ። ትእዛዛት ዚሓቶ (ዘገድዶ)

---

[1] ማቴ 19፡16-19
[2] ማቴ 19፡21
[3] ማቴ 5፡17 ረአ
[4] ማቴ 19፡6-12፣ 21፣ 23-29 ረአ
[5] ማቴ 5፡20
[6] ማቴ 5፡46-47 ረአ

ነገራት'ውን ገሊጹልና። "ነቶም ቀዳሞት…ኣይትቕተል፣ ከምዝተባህሎም ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ኣነ ግና ንኃዉ ዘቔጥዕ ዘበለ ኪፍረዶ እዩ….እብለኩም ኣሎኹ"።[7]

2055 "ካብ ኦሪት ኣየነይቲ ትእዛዝ ተዓቢ?"[8] ኪብሉ ገለ ምስሓተትዎ፣
129 ኢየሱስ ከምዚ ዚስዕብ መለሸ፦ "ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ፡ ብምሉእ ልብኻን፣ ብምሉእ ነፍስኻን፡ ብዅሉ ኣእምሮኻን ኣፍቅሮ፤ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እዚኣ እያ። እታ እትመስላ ካልኣይቲ ድማ "ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ" እትብል እያ። ኹሉ ኦሪትን ነቢያትን ኣብ'ዘን ክልተ ትእዛዛት'ዚኣተን ተጠርኒፉ ኣሎ"።[9] እቲ ዓሠርቱ ቃላት ድማ፡ ብመንፅር'ዚ ምልኣት-ሕጊ ዝኾነ፣ ድርብ ግና ኽኣ ውሁድ መልክዕ ዘለዎ ናይ ፍቕሪ ትእዛዝ ኪትርጐም ይግባእ፦

> እቲ "ኣይትዘሙ፣ ኣይትቕተል፣ ኣይትስረቕ፣ (ብሓሶት ኣይትመስክር) ዘይገንዘብካ ኣይትመነ" ዚብል ካልእ ትእዛዛት'ውን ኩሉ፣ ኣብ'ቲ "ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅር" ዚብል ትእዛዝ ክቱት እዩ። ፍቕሪ ንብጻያ ኽፉእ ኣይትገብሮን እያ። እምበኣርሲ ፍቕሪ መፈጸምታ-ሕጊ እያ።[10]

## ዓሠርቱ ቃላት ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ

2056 "ዓሠርቱ ቃላት"፣ ቃሉ ከምዚብሎ ዓሠርተ ቓላት ማለት እዩ።[11]
700 እግዚኣብሔር ነዘን "ዓሠርቱ ቃላት" ንሕዝቡ ኣብ'ቲ ቅዱስ ደብሪ ገለጸን። እዚ
62 (ዓሠርተ ቃላት) "ብኣጻብዕ እግዚኣብሔር"[12] ዝተጻሕፈ እንኪኸውን፡ እቲ ኻልእ ትእዛዛት ብሙሴ እዩ ተጻሒፉ።[13] ኣዝዩ ልዑልን ዕዙዝን ብዝኾነ ኣገባብ ቃላት-ኣምላኽ እዩ። ኦሪት ዘፀኣት፡[14] ኦሪት ዘዳግም[15] ብዝተባህለ መጻሕፍቲ ተመሓላሊፉልና ኣሎ። ካብ ብሉይ ኪዳን ኣትሒዙ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ነዚ "ዓሠርቱ ቃላት" ከም መወከሲ ይጥምቶ፤[16] እንተኾነ ግን እቲ ኡነተይናን ምሉእን ትርጓሜኡ ኪግለጽ ዘለዎ፣ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብኢየሱስ ክርስቶስ እዩ።

2057 እዚ ዓሠርቱ ቃላት፣ ቅድሚ ኹሉ ናይ ብሉይ ኪዳን ዓንዲማእከል
2084 ዝኾነ፣ ዓቢይ ሓርነታዊ ስራሕ-ኣምላኽ ማለት ብመንፅር'ቲ ፀኣት-ግብጺ (ካብ ግብጺ ምውጻእ) ክንርድኦ የድሊ። ከም መጠን ዚኽልክል ትእዛዛትን እገዳን፣ ወይ ከኣ ከም መጠን ገዳዲ ሕግታት፣ ማለት ከምቲ "ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር"

[7] ማቴ 5፡21-22
[8] ማቴ 22፡36
[9] ማቴ 22፡37-40፣ዘዳ 6፡5፣ዘሌ 19፡18 ረአ
[10] ሮሜ 13፡9-10
[11] ዘፀ 34፡28፣ዘዳ 4፡13፣10፡4
[12] ዘፀ 31፡18፣ዘዳ 5፡22
[13] ዘዳ 31፡9፣ 24 ረአ
[14] ዘፀ 20፡1-17 ረአ
[15] ዘዳ 5፡6-22 ረአ
[16] ከም ምሳሌ ሆሴዕ 4፡2፣ኤር 7፡9፣ሕዝ 18፡5-9 ረአ

ዚብል ዓሠርቱ ቃላት፣ ነቲ ካብ ባርነት-ኃጢአት ናጻ ዝኾነ ሃለዋት-ሕይወት የመልክት። እዚ ዓሠርቱ ቃላት መንገዲ-ሕይወት እዩ፡-

> ብሕይወት ምእንቲ ክትነብሩን፡ ክትበዝሑን ኣብ'ታ ክትወርስዋ እትኣትዉዋ ዘሎኹም ሃገር፣ እግዚኣብሔር ምእንቲ ኪባርኸኩም ድማ፡ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ከተፍቅርዎ፡ ብመንገዱ ከኣ ክትከዱ፣ ትእዛዛቱን ሕግታቱን ፍርድታቱን ድማ ክትሕልዉ፡ ኣነ ሎሚ እእዝዘኩም ኣሎኹ።[17]

እዚ ናይ ዓሠርቱ ቃላት ሓራ ዜውጽእ ኃይሉ፡ ንኣብነት ኣብ'ቲ ንጓኖትን ባሮትን ከይተረፈ ዚምልከት ናይ ዕረፍቲ-ሰንበት ትእዛዝ ዚረአ እዩ፡- 2170

> ንስኻ ድማ ኣብ ሃገር ግብጺ ባርያ ከምዝነበርካ፣ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኸኣ ብጽንዕቲ ኢድን ኃያል ቅልጽምን ካብኣ ከምዘውጻእኩኻ ዘክር፣ ስለ'ዚ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ መዓልቲ ሰንበት ክትሕሉ ኣዘዝኩኻ።[18]

**2058** እቲ "ዓሠርቱ ቃላት" ንሕጊ-እግዚኣብሔር ዜጠቓልልን ዚእውጅን እዩ፤ "እዘን ትእዛዛት'ዚኣተን እግዚኣብሔር ኣብ'ቲ እምባ፣ ካብ ማእከል ሓውን ደመናን፡ ጽልግልግ ዚብል ግመን፣ ዓው ኢሉ ንብዘላ ማኅበርኩም ዝተዛረበን እየን፤ ካልእ ኣይወሰኸን፣ ኣብ ክልተ ጽላት-እምኒ ጽሒፉ ከኣ ነኣይ ሃበኒ።[19] በዚ ምኽንያት'ዚ እዘን ክልተ ጽላት "ምስክር" ተባሂለን ይስመያ። ብርግጽ'ውን ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ሕዝቡን ናይ ዝተኣተወ ኪዳን ቃላት ዝሓዛ ነበራ። እዚ "ጽላት-ምስክርነት" ድማ ኣብታ "ታቦት"[20] ኪዕቀብ ዝነበሮ እዩ። 1962

**2059** "እግዚኣብሔር ኣብ'ቲ እምባ ካብ ማእከል ሓዊ ገጽ ንገጽ ተዛረበኩም"[21] ከምዝበሎ፣ እቲ ዓሠርቱ ቃላት፡ ኣብ መንጎ'ቲ ግልጸት-ኣምላኽ ብእግዚኣብሔር ዝተነግረ እዩ። እግዚኣብሔር ርእሱ ኪገልጽ ናይ ዝገበሮን ናይ'ቲ ክብሩን ኣካል እዩ። እቲ ናይ ትእዛዛት ህያብ፣ ናይ ኣምላኽ ብቐንዱን ናይ'ቲ ቅዱስ ፍቓዱን ህያብ እዩ። እግዚኣብሔር ነቲ ፍቓዱ ኪገልጽን ከፍልጥን ከሎ፡ ንሕዝቡ ርእሱ ይገልጽ። 707 2823

**2060** እዚ ናይ ትእዛዛትን ሕግን (ብሉይ) ህያብ፣ ኣምላኽ ምስ ሕዝቡ ናይ ዝኣተዎ ኪዳን ክፍሊ እዩ። ኣብ ኦሪት ዘፀኣት፣ ግልጸት "ዓሠርቱ ቃላት" ኣብ መንጎ'ቲ እማመ ኪዳንን[22] ኣብ መንጎ ፍጻሜኡን ዝተዓደለ እዩ። እዚ ማለት ከኣ፣ እቲ ሕዝቢ ነቲ ኹሉ እግዚኣብሔር ዝበሎ ኪፍጽሞ ምስተመባጽዐን፣ ንኺእዘዞ ምስ ወሰነን ዚዕደል እዩ።[23] ኣቐዲምካ ነቲ መደብ ኪዳን ከይዘከርካ 62

---

[17] ዘዳ 30፡16
[18] ዘዳ 5፡15
[19] ዘዳ 5፡22
[20] ዘፀ 25፡16፣31፡18፣32፡15፣34፡29፣40፡1-2
[21] ዘዳ 5፡4
[22] ዘፀ 19 ረአ
[23] ዘፀ 24፡7 ረአ

("እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኣብ ኮሬብ ምሳና ኪዳን ኣተወ")[24] እቲ ዓሠርቱ ቃላት ፈጺሙ ኣይመሓላለፍን እዩ።

**2061** ትእዛዛት እግዚኣብሔር ምሉእ ትርጓሜኡ ዚረክብ ድማ ኣብ መደብ ኪዳን እዩ። ብትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ ከኣ፡ ናይ ሰብ ሞራላዊ ሕይወቱ ምሉእ ትርጓሜኡ ዚጭብጥ ብኪዳን ኣቢሉ እዩ። ናይ'ተን "ዓሠርቱ ቃላት" ቐዳመይተን፣ ኣምላኽ ኣቐዲሙ ንሕዝቡ ከምዘፍቀሮ ተዘኻኽር፡-

2086 *ወድሰብ ብሰንኪ መቕጻዕቲ ኃጢኣት ካብ ናይ ገነት ሓርነት ናብ ባርነት'ዚ ዓለም'ዚ ወዲቑ (ሓሊፉ) ስለዝነበረ፣ እታ ናይ "ዓሠርቱ ቃላት" ፈለማ ቓል፣ ማለት ናይ ትእዛዛት -እግዚኣብሔር ፈለማ ድምጺ - "ካብ ምድሪ ግብጺ ካብ ቤት-ባርነት ዘውጻእኩኻ፡ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ እየ" ብምባል ብዛዕባ ሓርነት ትዛረብ።*[25]

**2062** እቲ በሓቂ ትእዛዛት ዚበሃል፣ ካልኣይ ቦታ ዝሓዘ እዩ፡- በቲ ናይ
142 ኪዳን ምትካል፡ ገቢሩ ከኣ፣ ናይ እግዚኣብሔር ምኳን፣ ሳዕቤኑ እንታይ ከምዝኾነ
2002 ይገልጽ። እቲ ሞራላዊ ህላዌ ንርእሱ፡ ነቲ ናይ እግዚኣብሔር ፈቃር ተበግሦ ዚወሃብ ምላሽ እዩ። ምስኡ ድማ፣ ንኣምላኽ ምእማንን ምቕባልን፡ ኣኽብሮ ምሃብን፣ ናይ ምስጋና ኣምልኾት ምቕራብን እዩ። ኣብ መደብ ታሪኽ ኣምላኽ ምስ ዚፍጽሞን ዚኽተሎን መደብ ምትሕብባር እውን የስምዕ።

**2063** እቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዝተኣትወ ኪዳንን ዚግበር ዘተን ርክብን
878 (ዲያሎግ)፣ ኹሉ ግዴታኡ ብቐዳማይ ወይ ብነጋሪ ኣካል ("ኣነ እግዚኣብሔር እየ") ዚንገርን፣ ብኣምላኽ ድማ ንካልእ ኣካል ወይ ወገን ("ንስኻ") ዝተባህለን ምኳኑ መረጋገጺ እዩ። ኣብ ኩሉ ትእዛዛት-እግዚኣብሔር፡ እቲ ንጽል ናይ ኣካል ክንድስም ነቲ ተቐባሊ ይሰምዮ። ኣምላኽ ድማ ፍቓዱ ነቲ መላእ ሕዝቢ ከፍልጥ/ኪገልጽ ከሎ፡ ምስኡ ንነፍስወከፍ ሰብ ከፍልጦ ይርከብ፡-

*ሰብ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብቕዓት ዘይብሉ ዓመጸይና (ግፍዔይና) ኮይኑ ምእንቲ ከይርከብ፣ ብመንፅር ኣምላኽ መደብ ፍቕሪ፣ ብመንፅር ብጻዩ ድማ መደብ ፍትሒ (ርትዒ) ኪኽተል እግዚኣብሔር ኣዚዙዎ ኣሎ። ምእንት'ዚ እምበኣር ሰብ ዓርኪ ኣምላኽ ምእንቲ ኪኸውንን፡ ምስ ብጻዩ ከኣ ብስኒት ንምንብባርን፡ በተን ዓሠርቱ ቃላት ገቢሩ ኣምላኽ ንሰብ ከሰናድዎ ተረኺበ።.... እቲ ናይ ዓሠርቱ ቃላት ትእዛዛት ነኣና ንኽርስትያን'ውን ብቑዕን ጽኑዕን እዩ። ክንዲ ዚሰዓርን ዚተርፍን ድማ፣ በቲ ናይ ጐይታ ብሥጋ ምምጻኡ፡ ኣጸቢቑ ኪበርህን ኪሰፍሕን ተረኺበ።*[26]

---

[24] *ዘዳ* 5፡2
[25] *ኦርጌንስ* Hom. In፣ *ዘፀ* 8,1፡ PG 12, 350፣ *ዘፀ* 20፡2፣*ዘዳ* 5፡6 *ረኣ*
[26] *ቅ.ኢ.ረነዩስ* Adv. haeres., 4, 16, 3-4፡ PG 7/1, 1017-1018

# ዓሠርቱ ቃላት ኣብ ቅዱስ ትውፊት ቤተክርስትያን

2064 ናይ ቤተክርስትያን ቅዱስ ትውፊት፣ ንቅዱስ መጽሓፍ እሙን ብምኳንን፣ ምስ ኣብነት-ኢየሱስ ብምስምማዕን፡ ናይ ዓሠርቱ ቃላት ቀንዲ ኣገዳስነትን፡ ትርጉምን ኪቐበል ይርከብ።

2065 ካብ ቅዱስ ኣጕስጢኖስ ኣትሒዙ ኸኣ፡ እቲ ዓሠርተ ትእዛዛት፣ ኣብ'ቶም ንጥምቀት ዝቐረቡን፣ ካልኦት ምእመናንን ኣብ ዚኽተልዎ መደብ ትምህርተ-ክርስትና (catechesis) ቀዳማይ ቦታ ሒዙ ኣሎ። ኣብ መበል ዓሠርተ ሓሙሽተ ምእተዓመት እዚ ናይ ዓሠርቱ ቃላት ትእዛዛት፡ ኪዝከር ብዚከኣል ቀሊል ኣገባብ ብናይ ግጥሚ ቀጥዒ ኪግለጽ ተረኺበ። ክሳብ ሎሚ ጋና ዜገልግል ዘሎ እዩ። ናይ ቤተክርስትያን መጻሕፍቲ ትምህርተ-ክርስትያን ድማ፣ ንክርስትያናዊ ሥነምግባር ወይ ሞራል እንኪትንትን፡ ነዚ ናይ ዓሠርተ ትእዛዛት መሥርዕ ኪኽተል ጸኒሑ ኣሎ።

2066 ኣብ ጕዕዞ ታሪኽ ዝተራእየ፡ ናይ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ኣከፋፍላን ኣቈጻጽራን (ኣታዝን) ዝተፈላለየ እዩ። እዚ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስትያን ከኣ፡ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ልሙድ ኮይኑ ንዝጸንሐ፡ ብቅዱስ ኣጕስጢኖስ ንዝተሠርዐ ኣከፋፍላ ይኽተል። ናይ ሉተራውያን እምነተ-ሃይማኖት ዚኽተሎ እውን እዩ። ናይ ምሥራቕ ኣበው-ቤተክርስትያን ከኣ፡ ኣብ ኦርቶዶክሳውያንን፡ ገለ ናይ ፕሮተስታንት ወገናትን ተዓቂቡ ንዘሎ ቍሩብ ፍልይ ዝበለ ኣከፋፍላ ሠርዑ።

2067 ዓሠርተ ትእዛዛት ነቲ ብፍቕሪ-ኣምላኽን ፍቕሪ-ብጻይን ዚሕተት እዩ ዚእዝዝ። እተን ቀዳሞት ሠለስተ ብፍቕሪ-ኣምላኽ፣ እተን ካልኦት ሾብዓተ ድማ ብፍቕሪ-ብጻይ ዚግደሳ እየን። 1853

> ነቲ መላእ ሕግን ነቢያትን ምስኡ ዘተኣሳስረሉ ፍቕሪ፣ ክልተ ትእዛዛት ከምዚሓቍፍ.... እዘን ዓሠርተ ትእዛዛት ድማ ልክዕ ከምኡ ኣብ ክልተ ጽላት እየን ተዋሂበን። እተን ሠለስተ ኣብ ሓንቲ፣ እተን ካልኦት ሾብዓተ ከኣ ኣብ ካልእ ተጻሒፈን።[27]

2068 ክርስትያን ኵሎም ንዓሠርተ ትእዛዛት ኪሕልዉ ከምዚግደዱ፣ እቲ 1993
ጻድቕ ሰብ'ውን እንተኾነ ኪፍጽሞ ትሑዝ ምኳኑ ጉባኤ ትረንቶስ የስተምህር።[28] 888
ጉባኤ ቫቲካን ካልኣይ እውን፡ ብኸምዚ ዚስዕብ ደጊሙ የረጋግጽ፦ "ኵሎም ሰባት፡ ብእምነትን ጥምቀትን፡ ብምሕላው-ትእዛዛትን ድኅነት ምእንቲ ኪጭብጡ፣ እቶም ተካእቲ (ተኸተልቲ) ሓዋርያት ዝኾኑ ኣቡናት (ጳጳሳት)....ንኵሎም ሕዝብታት

---

[27] ቅ.ኣጕስጢኖስ. Sermo 33, 2, 2፡ PL 38, 208
[28] ደንዚንገር DS 1569-1570 ረአ

ኪምህሩ፣ ንኹሉ ፍጥረት'ውን ወንጌል ኪሰብኩ ካብ ጐይታ ተልእኮት ተቐቢሎም እዮም።"[29]

## ሓድነት ዓሠርቱ ቃላት

**2069** እዚ ዓሠርቱ ቃላት ምልኣትን ስኒትን ዝሓዘ እዩ። ነፍስወከፍ "ቃል"
2534 ካብ'ተን ካልኦት፣ ምስ ነፍስወከፍን ምስ ኩሉን ዚነጻጸር እዩ። ሓደ ኣብ ልዕል'ቲ ሓደ ጽልዋኡ ዜሕድር እዩ። እተን ክልተ ጽላት ሓንቲ ነታ ካልኣይቲ ዘበራርሃ እየን። ክልቲኣተን ከኣ ንሓድሕዱ ዝተሰማምዐ ሓድነት የቕውማ። ንሓንቲ ትእዛዝ ምጥሓስ ንኹላተን ምቕሳል እዩ።[30] ፈጣሪኡ ንዘኽብሮ ኣምላኽ ከየመስገነን ከየኽበረን፣ ንዘኽምኡ ሰብ ዘኽብር ሰብ የልቦን። ፍጡራቱ ንዘኾኑ ኵሎም ሰባት ከየፍቀረ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ዘምልኽ ሰብ የልቦን። እቲ ዓሠርቱ ቃላት ድማ ንናይ ወድሰብ መንፈሳውን ማኅበረሰባውን ሕይወት ኣብ ሓደ ዚጥርንፍ እዩ።

## ዓሠርቱ ቃላትን፡ ባሕርያዊ ሕግን

**2070** ዓሠርተ ትእዛዛት ናይ'ቲ ግልጸት-ኣምላኽ ወገን እዩ። ምስ'ዚ ማዕረ
1955 ማዕረ ድማ፡ ናይ ወድሰብ ሓቀይና ሰብኣውነት ይምህረና። ነቲ ቀንዲ ቀንዲ ዝኾነ ግዴታታት ኣጸቢቑ ይገልጸ፣ ምእንት'ዚ ኸኣ ብተዘዋዋሪ መንገዲ፡ ኣብ ባሕርይ-ሰብ ተሰኺዑ ንዘሎ መሠረታዊ መሰላት፡ የረጋግጸ። እዚ ዓሠርቱ ቃላት ነቲ ባሕርያዊ ሕጊ ዚገልጸሉ ፍሉይ ህያብ ዝኾነ ኣገባብ ኣለዎ፡-

> ካብ ፈለማ ኣትሒዙ እግዚኣብሔር ነቲ ትእዛዛት ባሕርያዊ ሕጊ ኣብ ልቢ ወድሰብ ሰቒሩዎ እዩ። ድሕሪኡ ድማ ብዛዕባኡ ከዘኻኽሮም ፍታው ኮነ። እዚ እቲ ዓሠርቱ ቃላት እዩ።[31]

**2071** እቲ ናይ ዓሠርቱ ቃላት ትእዛዛት፡ ብዓቕሚ ኣእምሮ ጥራሕ
1960 ዚብጻሕ'ኳ እንተኾነ፣ ዝተገልጸልና እዩ። ኣብ ኃጢኣት ዝተኣልከ ዓሌትሰብ፡ ነዚ ናይ ባሕርያዊ ሕጊ ግድነታት (ትእዛዛት) ገለ ምሉእ ርድኢት ንኺጭብጥ እዚ ግልጸት'ዚ የድልዮ ነበረ።

> ብርሃን-ኣእምሮ ብምጽልማቱን፣ ድላይ'ውን ኣንፈት ብምስሓቱን ዚኣክል፣ ኣብ'ቲ ሃለዋት ኃጢኣት ዝሰፈነሉ፡ ናይ'ቲ ዓሠርቱ ቃላት ምሉእ ምግላጽ ኣድላዪ ኮይኑ ተረኽበ።[32]

---

[29] ብር.ኣሕ.LG 24
[30] ኢ.ያ 2፡10-11 ረአ
[31] ቅ.ኢ.ረነዩስ Adv. haeres. 4, 15, 1፡ PG 7/l, 1012.
[32] ቅ.ቦናቬንቱራ Comm. sent. 4, 37, 1, 3.

ንትእዛዛት-እግዚኣብሔር ክንፈልጦ እንኽእል ብቤተክርስትያን ኣቢሉ ብዚቐርበልና መለኮታዊ ግልጸትን፣ በቲ ናይ ሞራላዊ ኅሊና ሕሹኽታን እዩ። 1777

## ዓሠርቱ ቃላት ዘስዕቦ ግዴታታት

**2072** ብመንፅር ኣምላኽን ብጻዩን ወድሰብ ንዘለዎ መሠረታዊ ግዴታታት ዚገልጽ ብምዃኑ፣ እቲ ዓሠርተ ትእዛዛት፡ በቲ ቀንዲ ትሕዝቶኡ፡ ክብድ ዝበለ ግዴታን ግቡእነትን ዜልብስ እዩ። ብመሠረቱ ዘይልወጥ ኮይኑ፣ ወትሩን ኣብ ኩሉ ቦታን ክኣ ኪፍጸም፣ ኪሕሎ ግዲ እዩ። ካብ'ዚ ዓሠርተ ትእዛዛት ኪብይን ዚኽእል ሓደ'ኳ የልቦን። እዚ ዓሠርተ ትእዛዛት ኣብ ልቢ-ወድሰብ ብኣምላኽ ዝተቐርጸ እዩ። 1858 1958

**2073** ንትእዛዛት-እግዚኣብሔር እንፍጽሞ ተኣዝዞት ብርእሱ፣ ቀሊል ብዝኾነ ነገራት'ውን ግዴታ ከምዘሎና ዘመልክት እዩ። ምእንት'ዚ ክኣ ጽያፍን ዘይጽያፍን ዘረባ በቲ ኃምሻይ ትእዛዝ ዝተኸልከለ እዩ፣ እንተኾነ ግን ዓቢይ በደል (ኃጢኣት) ኪኸውን ዚኽእል፣ በቲ ሃለዋቱን ብናይ'ቲ ጸራፊ (በዳሊ) ሓሳባቱን (ዕላማ) እዩ።

## "ብዘይካይ ገለ'ኳ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን"

**2074** ኢየሱስ ከምዚ ዚስዕብ ይብለና፣ "እቲ ጕንዲ-ወይኒ ኣነ እየ፣ ጨናፍሩ ክኣ ንስኻትኩም ኢኹም፣ እቲ ኣባይ ዚነብር ኣነ'ውን ኣብኡ፣ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዚፈሪ፣ ምኽንያቱ ብዘይካይ ሓንቲ'ኳ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም"።[33] ኣብ'ዚ ቓላት'ዚ ተጠቒሱ ዘሎ ፍረ፣ እቲ ምስ ክርስቶስ ካብ ዚትከል ሓድነት (ውህደት) ዚፈሪ ሕይወት-ቅድስና እዩ። ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንኣምን፣ ኣብ ምሥጢራቱ ክንሳተፍን፡ ትእዛዛቱ ክንሕሉን ከሎና፣ እቲ መድኃኒና ብቐንዱ ኣባና ነቦኡን ኣኅዋቱን፣ ነቦናን ኣኅዋትናን ከፍቅር ናባና ይመጽእ። ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ፣ ባዕሉ እቲ መድኃኒና ናይ ተግባራትናን ንጥፈታትናን ሕያውን ውሽጣውን ሕጊ ይኸውን። "ከም'ቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም፡ ንስኻትኩም'ውን ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፣ ትእዛዘይ እዚ እዩ"።[34] 2732 521

[33] ዮሓ 15፡5
[34] ዮሓ 15፡12

## ብሓጺር

2075 "ናይ ዘለዓለም ሕይወት ክወርስሲ እንታይ ሠናይ ግብሪ ኽገብር?.... ናብ ሕይወት ክትኣቱ እንተደለኻ ግና ትእዛዛት ሓሉ"። (ማቴ.19፡16-17)

2076 ኢየሱስ በቲ ግብራዊ ሕይወቱን ትምህርቱን ናይ'ዚ ዓሠርቱ ቃላት ነባር ብቕዓቱ ኣረጋጊጹ።

2077 እዚ ህያብ ዓሠርቱ ቃላት፣ እግዚኣብሔር ምስ ሕዝቡ ካብ ዝኣተዎ ኪዳን ዝተረኽበ እዩ። ትእዛዛት-እግዚኣብሔር ድማ ቅኑዕን ብቑዕን ትርጓሜኡ ዚረክብ በዚ መደብ ኪዳን ኣቢሉ እዩ።

2078 ትውፊት-ቤተክርስትያን ንቅዱስ መጽሓፍ እሙን ብምዄንን፣ ምስ ኣብነት-ኢየሱስ ብምስምማዕን፣ ናይ'ዚ ዓሠርቱ ቃላት ቀንዲ ኣገዳስነትን ትርጕምን ኪቕበል ይርከብ።

2079 እዚ ዓሠርቱ ቃላት፡ ዝተወሃሃደ (ዝተሰማምዐ) ሓድነት የቕውም፤ ኣብኡ ነፍስወከፍ "ቃል" ወይ "ትእዛዝ" ምስ'ቲ ካልእ ኩሉ ብሓንሳብ ተጸንቢሩ ዚነጻጸር እዩ። ሓንቲ ትእዛዝ ምጥሓስ ማለት ንመላእ ሕጊ ምቕሳል እዩ (ያዕ.2፡10-11 ረአ)።

2080 እዚ ዓሠርቱ ቃላት ነቲ ባሕርያዊ ሕጊ ዚገልጸሉ፣ ፍሉይ ህያብ ዝኾነ ኣገባብ ኣለዎ።ንትእዛዛት-እግዚኣብሔር ክንፈልጦ እንኽእል፣ ብመለኮታዊ ግልጸትን፡ ብናይ ሰብኣዊ ኣእምሮ ፍልጠትን እዩ።

2081 እቲ ዓሠርተ ትእዛዛት በቲ ቀንዲ ትሕዝቶኡ ክብድ ዝበለ ግዴታን ግቡእነትን ዜልብስ እዩ። እንተኾነ ነዚ ሕግታት'ዚ ብእንፍጽሞ ተኣዝዞት፣ ብርእሱ ቀሊል ብዝኾነ ነገራት'ውን ግዴታ ከምዘሎና የመልክት።

2082 ኣምላኽ፡ ነቲ ዚእዝዞ፣ ብጸጋኡ ከምዚከኣል (ከምዚፍጸም) ይገብር።

# ምዕራፍ ሓደ

# ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻ፣ ብምሉእ ነፍስኻ፣ ብኹሉ ኣእምሮኻን ኣፍቅሮ

**2083** ብመንፅር ኣምላኽ ወድሰብ ንዘለዎ ግዴታን ግቡእነትን፣ ኢየሱስ በዚ ዚስዕብ ብሂል ይገልጾ፡- "ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻ፣ ብምሉእ ነፍስኻ፣ ብኹሉ ኣእምሮኻን፣ ብኹሉ ኃይልኻን ኣፍቅሮ"[1] እዚ ድማ "ኦ! እስራኤል! ስማዕ! እግዚኣብሔር ኣምላኽና በይኑ ሓደ እግዚኣብሔር እዩ"[2] ንዚብል ዕዙዝ መጸዋዕታ ብቐጥታ ዘቃልሕ እዩ። 367

ኣምላኽ ኣቐዲሙ ኣፍቂሩና እዩ። ናይ'ዚ ሓደ ኣምላኽና ፍቕሩ፡ ካብ'ተን "ዓሠርቱ ቃላት" ኣብታ ቀዳመይቲ ተጠቒሱ ኣሎ። ድሕሪኡ እምበኣር ወድሰብ ንኣምላኹ ኪህቦ ንዝተጸወዓሉ ናይ ፍቕሪ ምላሽ፡ እቲ ትእዛዛት ግልጺ ኪገብሮ ይርከብ። 199

## ኣንቀጽ 1
## ቀዳማይ ትእዛዝ

> ካብ ምድሪ ግብፂ፣ ካብ ምድሪ ባርነት ዘውፃእኩኻ፣ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ እየ። ብዘይካይ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣየሃልዉኻ። ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፣ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ፣ ኣብ ማይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ካብ ዘለዉ፣ ምስልን ሥእልን ንርእስኻ ኣይትግበር፣ ኣይትስገደሎም፣ ኣይተገልግሎም።[3]
>
> "ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ስገድ፤ ነኣኡ በይኑ ድማ ኣምልኽ" ዚብል ጽሑፍ ኣሎ።[4]

## I. ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ጥራሕ ኣምልኽ፣ ነኣኡ ንብሕቱ ጥራሕ ኣገልግል

**2084** "ካብ ምድሪ ግብፂ፣ ካብ ምድሪ ባርነት ኣውፃእኩኻ" ኪብል ብናይ'ቲ 2057
ዚዛረቦ ሕዝቢ ታሪኽ ገቢሩ፣ ነቲ ከሃሌ-ኩሉ ኃይሉን፣ ፈቃርን ሓራ ዘውፅእን 398
ግብሩን ብምዝኽኻር፣ እግዚኣብሔር ርእሱ ይገልጽ። እታ ቀዳመይቲ ቃል፣ ነታ

---

[1] ማቴ 22፡37፣ ሉቃ 10፡27፡". . . ብኹሉ ኃይልኻን" ረአ
[2] ዘዳ 6፡4
[3] ዘፀ 20፡2-5፣ዘዳ 5፡6-9 ረአ
[4] ማቴ 4፡10

ቀዳመይቲ ናይ ሕጊ ትእዛዝ ሓቝፉ ኣላ፡- “ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ፍርሁ፣ ነኣኡ ጥራይ ኣገልግሉ፤ ....ኣብ ዙርያኹም ዚነብሩ ሕዝብታት ንዘምልኽዎም ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይተምልኹ”።[5] ናይ እግዚኣብሔር ቀዳማይ መጸዋዕታን፡ ቅኑዕ ዝኾነ ግዴታን ድማ፡ ሰብ ንኪቕበሎን ንከምልኾን ዚዕድም እዩ።

**2085** እቲ ሓደን ሓቀይናን ኣምላኽ፣ ቅድሚ ኹሉ ክብሩ ንእስራኤል ገለጸ።[6]
200 ናይ ሰብ ጸዋዕታኡን ሓቀይና ዅነቱን ዚግለጽ ድማ፡ ምስ'ቲ ግልጸት እግዚኣብሔር
1701 ተኣሳሲሩ እዩ። ሰብ “በምሳል ፈጣርን ብኣርኣያኡን” ዝተፈጥረ ስለዝኾነ ጸዋዕታኡ፡ ድማ “ምስ'ቲ ፍጥረቱ ተሳንዩ ብምክያድን ብምስራሕን ንኣምላኽ ምግላጽ እዩ”፡-

> ኦ! ትሪፎን፣ ንሱ እቲ ንዓለም ዝፈጠረን ዝሠርዐን እንተዘይኮይኑ፣ ዓለም ካብ ዚጅምር ኣትሒዙ፣ ካልእ ኣምላኽ ፈጺሙ ኣይነበረን፤ ንዚመጽእ'ውን ፈጺሙ ኣይኪህሉን... እቲ ናትና ኣምላኽ ካብ'ቲ ናትካ ዝተፈልየ እዩ ኢልና ኣይንሓስብን። ንሱ እቲ ነቦታትካ “ብኃያል ኢድን ብዝተዘርገሐ ቅልጽምን” ካብ ግብጺ ዘውፀአ ኣምላኽ እዩ። ካልእ ኣምላኽ ስለዘየልቦ፣ ኣብ'ቲ ንስኻ እተኣምኖ፣ ኣብ'ቲ ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሓቕን ያዕቆብን እንተዘይኮይኑ፣ ኣብ ገለ ካልእ ኣምላኽ ተስፋና ኣይነንብርን ኢና።[7]

**2086** እታ ቀዳመይቲ ትእዛዝ፣ እምነትን ተስፋን ፍቕርን ሓቝፋ ትርከብ።
212 “ኣምላኽ” ክንብል ከሎና፡ ሓደ ጽኑዕን ቀጻልን፡ ዘይልወጥ ህልው፣ ወትሩ ግዜ
2061 ንሱ፣ ዘይጠልም እሙንን ርትዐይናን (ፍትሓውን)፣ ክፍኣት ዚበሃል ዘይብሉ ምኳኑ ንእመን። ከም ሳዕቤኑ ድማ ቃላቱ ክንቕበል፣ ኣብኡ ምሉእ እምነት ኪህልወና፣ ሥልጣኑ'ውን ክንቕበል ግዲ እዩ። ንሱ ከሃሌ-ኩሉ፣ መሓርን መወዳእታ ዘይብሉ ገባሬ ሠናያትን.... እዩ። ምሉእ ተስፋኡ ኣብኡ ዘየንብር መን'ዩ? ኣባና ንዘፍሰሶ መዝገብ-ኂሩቱን ፍቕሩን ዘስተንተነ'ሞ፣ ከየፍቀሮ ዚተርፍስ መን እዩ? ምእንት'ዚ እዩ ድማ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ከምእንረኽቦ፣ ኣብ ምጅማርን ምዝዛምን ትእዛዛቱ፣ “ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እየ”[8] ንዚብል ኣበሃህላ እግዚኣብሔር ኪጥቀመሉ ዚርከብ።

## 1814-1816 እምነት

**2087** ሞራላዊት (ሥነምግባራዊ) ሕይወትና፡ ፍቕሩ ኣብ ዚገልጸልና ኣምላኽ
143 ካብ ዘላትና እምነት ዝፈልፈለት እያ። እቲ “ናይ እምነት ተኣዝዞት”[9] ከም መጠን ቀዳማይ ግዴታና፡ ቅዱስ ጳውሎስ'ውን ዚዛረበሉ እዩ። ናይ ኩሉ ሞራላዊ ምዝንባል፡ መሠረቱን መግለጺኡን “ንእግዚኣብሔር ዘይምፍላጥ” ምኳኑ ቅዱስ

---

[5] ዘዳ 6፡13-14
[6] ዘፀ 19፡16-25፣24፡15-18 ረአ
[7] ቅ.ዩስጢኖስ Dial. cum Tryphone Judaeo 11, 1፡ PG 6, 497.
[8] ሮማዊ ትም.ክር. 3፣2,4
[9] ሮሜ 1፡5፣16፡26

ጳውሎስ የነጽር።[10] ብመንፅር ኣምላኽ ዘሎና ግዴታ፣ ኣብኡ ምእማን፣ ነኣኡ ምስክርነት ምሃብ።

**2088** ንእምነትና ተኸናኺንና ከነዕብን፣ ብጥበብን ብንቕሓትን ክንዕቅብን፤ ነኣኡ ዚጻረር ዘበለ ንኽንነጽግ፡ እቲ ቀዳማይ ትእዛዝ የሓተና። ተጻይ እምነት ዚግበር ኃጢኣት መንገድታቱ ዝተፈላለየ እዩ።

*ጥርጥር፦* ብዛዕባ እምነት ዚግበር ደሊኻ እትለብሶ ጥርጥር፣ 157
እግዚኣብሔር ንዝገለጾን፡ ቤተክርስትያን'ውን ኪእመን ኢላ ንእተቕርቦን ኵሉ ሽለል ዚብል፡ ወይ ከኣ ሓቂ ምዃኑ ዚነጽግ ኣተና እዩ። ዘይተደልየ (ዘይፍቓደይና) ጥርጥር፣ ነቲ ኣብ መስርሕ ምእማን ዚረአ ሰጋእመጋእ፣ ምስ እምነት ንዝተተሓሓዘ ግድላት ኣብ ምስዓር፣ ወይ ከኣ በቲ ጸልማታዊ ሃለዋቱ ንዚለዓዓል ጭንቀት ስግኣት ዜመልክት እዩ። ኮነ ኢልካ እንተደኣ ኲስኵስካዮ፣ ጥርጣረ ክሳብ ናብ መንፈሳዊ ዑረት ከምርሕ ይኽእል።

**2089** *ኢኣማኒነት (ዘይምእማን)* ማለት፡ ነቲ ዝተገልጸ ሓቂ ሸለል ምባል፣ 162
ወይ ከኣ ብድላይካ ምንጻጉ ማለት እዩ። ኑፋቄ ወይ መናፍቕነት (heresy) ድማ 817
ብድሕሪ ጥምቀትካ፡ ደሊኻን ፈሊጥካን፣ ብመለኮታውን ካቶሊካውን እምነት ኪእመን ንዚግበኦ ገሊኡ ሓቅታት ምንጻግ፣ ወይ ከኣ በኣኡ ምጥርጣር እዩ። ክሕደት (apostasy ጥልመት) ኪበሃል ከሎ፡ ንእምነት ክርስትና ፈጺምካ ክትነጽግ ከሎኻ እዩ። ምፍላይ (schism) ድማ መሪሕነት ሮማዊ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ዘይምቕባል፣ ወይ ከኣ ምስ'ቶም በኣኡ ዚምርሑ ኣባላት ቤተክርስትያን ዚህሉ ሱታፌ ምንጻግ እዩ።[11]

## ተስፋ 1817-1821

**2090** እግዚኣብሔር ንሰብ ርእሱ ኪገልጸሉን ኪጽውዖን ከሎ፣ ከም'ዚ ንዝበለ 1996
መለኮታዊ ፍቕሪ፣ ወድሰብ ብኃይሉ ጥራሕ ኪምልሽሉ ዓቕሚ የብሉን። ተመሊሱ ንኽፍቅሮ ዘኽእሎ ዓቕሚ ንኪህቦን፣ ምስ ናይ ፍቕሪ ትእዛዝ ተሳንዩ ንኺሰርሕ ምእንቲ ከኽእሎ ብተስፋ ኪጽበዮ ይግባእ። ተስፋ ኪበሃል እንከሎ፣ ነቲ መለኮታዊ በረኸትን፡ ናይ እግዚኣብሔር ብዑዓዊ ትርኢትን ርግጸይና ብዝኾነ ትጽቢት ምጥማት እዩ። ምስ'ዚ እውን፡ ንፍቕሪ-ኣምላኽ ከይትብድልን፡ ቅጽዓት ከይተስዕብን ምፍራህ የጠቓልል።

**2091** እቲ ቐዳማይ ትእዛዝ፣ በቲ ተጻይ ተስፋ ዚፍጸም ኃጢኣት፣ ማለት ቕብጸትን ትዝኀርትን፣ ዘይኮንካዮ ክትከውን ምድላይን ይግደስ።

---

[10] ሮሜ 1፡18-32 ረኣ
[11] ሕገቀኖና፣ ቀ. 751

ወድሰብ፡ ካብ እግዚኣብሔር ንዚረኽቦ ድኅነቱ፣ ነኣኡ ንምርካብ
1864 ዚጽበዮ ረድኤትን፣ ንናይ ኃጢኣቱ ኀድገትን ኩሉ ምትስፋው ብሰንኪ ቕብጸት (ቀቢጸ-ተስፋ) የቋርጽ። ምእንት'ዚ ቕብጸት ንናይ ኣምላኽ ኂሩትን ሕያውነትን፡ ንፍትሕን ምሕረትን ዚፃረር እዩ፤ ከመይ እግዚኣብሔር ንዝሃቦ ቓል ዘይጠልም እሙን እዩ።

**2092** ክልተ ዓይነት ትዝኅርት (ጃህራ) ኣሎ። ሰብ ወይ በቲ ሰብኣዊ ዓቕሙ
2732 ይጀሃር (ካብ ላዕሊ ሓገዝ ከይረኸበ ርእሱ ከድኅን ብምትስፋው)፣ ወይ ከኣ በቲ ከሃሊኩሉ ኃይሊ-ኣምላኽ ወይ ብምሕረቱ ይጀሃር፤ (ምሕረት ኣምላኽ ብዘይንስሓ፣ ክብሪ ከኣ ብዘይገለ ትሩፋት ክትረክብ ምትስፋው)።

## 1822-1829 ፍቕሪ

**2093** እቲ ኣብ ፍቕሪ-ኣምላኽ ዚህሉ እምነት፡ ንመለኮታዊ ፍቕሪ ብቕኑዕ ፍቕሪ ንምምላሽ ንዝቐረበ መጸዋዕታን ግዴታን ዚሓቍፍ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ነገርን፡ ፍጥረትን ነኣኡን ምእንትኡን ኢልና ንኣምላኽ ከነፍቅር፣ እቲ ቀዳማይ ትእዛዝ የገድደና።[12]

**2094** ሓደ ሰብ ብዝተፈላለየ መንገዲ ተጻይ ፍቕሪ-ኣምላኽ ኪኃጥእ ይኽእል።

- *ዘይምግዳስ* ኪበሃል ከሎ፣ ኣብ ልዕሊ መለኮታዊ ፍቕሪ ሸለልትነት ምርኣይ፣ ወይ ብዛዕባኡ ከይተሓሰበ ኮነ ኢልካ ምንጻግ እዩ። ነቲ መለኮታዊ ኂሩትን ኃይልን ከየስተንተንካ ከምትተርፍ ዚገብረካ እዩ።
- *ምሳ ዘይምምላስ፡-* እዚ ኸኣ ነቲ መለኮታዊ ፍቕሪ ምቕባል ዚኣቢ፣ ነቲ ፍቕሪ-ኣምላኽ ብፍቕሪ ንኸይትምልሸሉ ዚገብረካ እዩ።
- *ዛሕሊ-መንፈሱ-* ንመለኮታዊ ፍቕሪ ዚበቅዕ ምላሽ ኣብ ምሃብ ጥርጣረን ሸለልትነትን ምርኣይ እዩ። ነቲ ናይ ፍቕሪ ድፍኢት ርእስኻ ንኸይተወፊ ዚግበር ምንጻግ እዩ።

2733 - *ትህኪት ወይ ስንፍና-መንፈስ፡-* እዚ ኸኣ ካብ ኣምላኽ ንዚመጽእ ታሕጓስ ክሳብ ምንጻግ ዘብጽሓካ፣ በቲ መለኮታዊ ኂሩትን (ሕያውነት) ሠናያትን ከምትንጸግ ይገብረካ።

2303 - *ንኣምላኽ ምጽላእ* ካብ ትዕቢት ዝተበገሰ እዩ። ንፍቕሪ ኣምላኽ ፈጺሙ ዚጻረር እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ ነቲ ኂሩቱን ሠናያቱን ዚነጽግ፤ ኃጢኣት ምግባር ዚኽልክል፡ መቕጻዕቲ'ውን ዜምጽእ እዩ ብዚብል መንፈስ ነኣኡ (ንኣምላኽ) ክሳብ ምርጋም ዚደፍር እዩ።

[12] ዘዳ 6፡4-5 ረአ

## II. "ንኣኡ ንበይኑ ኣምልኽ"

**2095** ንሞራላዊ (ሥነምግባራዊ) ኃይላት ዜንቀሳቕሶን ሕይወት ዜልብሶን፡ 1807
እቲ መንፈሳዊ (መለኮታዊ) ኃይላት ዝተሰምየ እምነትን ተስፋን ፍቕርን እዩ።
ምእንት'ዚ እምበኣር፣ ንሕና ከም መጠን ፍጡራን ብመደብ ርትዒ ንኣምላኽና
ክንፍጽመሉ ዚግበኣና ንምፍጻም ፍቕሪ ትመርሓና። እቲ ናይ እምነት
(ሃይማኖት) መንፈሳዊ ኃይሊ ነዚ ኣተና'ዚ ከነሕድር ይሕግዘና።

## ኣምልኾት (ስግደት) 2628

**2096** ናይ ሃይማኖት መንፈሳዊ ኃይሊ ቀዳማይ ተግባሩ ኣምልኾት
(ስግደት) እዩ። ንኣምላኽ ምምላኽ (ምስጋድ) ማለት፣ ከም መጠን ኣምላኽ
ምቕባሉ፣ ፈጣርን መድኃንን፣ ናይ ኵሉ'ቲ ህልው ዘበለ ዋናን ጐይታን፣
መወዳእታ ዘይብሉን፣ ምሕረት ዝመልኦ ፍቕርን ከምዝኾነ ምእማኑን ምቕባሉን
እዩ። ኢየሱስ ድማ ኦሪት ዘዳግም ብምጥቃስ፣ "ንእግዚኣብሔር ስገድ፣ ነኣኡ
በይኑ ድማ ኣምልኽ" ይብል።[13]

**2097** ንእግዚኣብሔር ምምላኽ (ምስጋድ) ማለት፣ ብኣኽብሮትን ብፍጹም 2807
ተገዛእነትን፣ "ናይ ፍጡር ኢምንትነት" ምእማን (ምቕባል) እዩ። እዚ ፍጡር
ድማ ህላዌኡ ንኣምላኽን ምእንቲ ኣምላኽን ጥራሕ እዩ። ንእግዚኣብሔር
ምምላኽ እምበኣር፣ ዓበይቲ ነገራት ከምዝፈጸመን፣ ስሙ'ውን ዓቢይ ከምዝኾነን፣
ከም'ቲ ናይ ማርያም "ጸሎተ ታዐብዮ" ብመንፈስ ምስጋና ብምእማን (ብምቕባል)፣
ነኣኡ ምውዳስን ምዕባይን፣ ርእስኻ ምትሓትን ማለት እዩ።[14] ነቲ ሓደ ኣምላኽ
ምስጋድ (ምምላኽ) ንሰብ ናብ ርእሱ ንኸየተኵርን፣ ካብ ባርነት-ኃጢኣትን፣ ካብ
ጣዖት'ዚ ዓለም'ዝን ሓራ የውፅኦ።

## ጸሎት 2558

**2098** እዚ ብቐዳማይ ትእዛዝ ዚሕንጸጽ፡ ናይ እምነትን ተስፋን ፍቕርን 2742
ተግባራት ብጸሎት ዚፍጸም እዩ። ንመንፈስ-ልብና ናብ ኣምላኽ ምልዓሉን
ምንቅዕራሩን፣ ንእግዚኣብሔር ናይ እነቕርቦ ኣምልኾና መግለጺ እዩ። እዚ ኸኣ
ጸሎት ውዳሴን ምስጋናን፡ ኣማልድነትን ልመናን እዩ። ንትእዛዛት-እግዚኣብሔር
ብግብሪ ንምፍጻም ጸሎት ኣገዳስን ኣድላይን ቅድመኩነት እዩ። "ተስፋ
ኸይቀበጽካ፡ ኩሉ ሳዕ ምጽላይ ይግባእ"።[15]

---

[13] ሉቃ 4፡8፣ዘዳ 6፡13 ረአ
[14] ሉቃ 1፡46-49 ረአ
[15] ሉቃ 18፡1

## መሥዋዕቲ

**2099** ከም ምልክት ኣምልኾትን ምስጋናን፣ ሱታፌን ልመናን፡ ንኣምላኽ
613 መሥዋዕቲ ምቕራብ ግቡእ እዩ። “ብናይ ቅድስና ሱታፌ ምስ ኣምላኽ ንምውህሃድ፣ ምእንት'ዚ ኸኣ ብፅዕና ንምጭባጥ፡ ዚፍጸም ዝኾነ ተግባር ኡነተይና መሥዋዕቲ እዩ”።[16]

**2100** እቲ ዚቐርብ ኣፍኣዊ መሥዋዕቲ፣ ሓቀይናን ንጹሕን ንኪኸውን ነቲ
2711 ውሽጣዊ መንፈሳዊ መሥዋዕቲ ዘንጸባርቕ ኪኸውን ኣለዎ። “...ነኣኻ ዘቕርቦ
614 መሥዋዕተይ ትሑት መንፈስ... ዝተጣዕሰ ልብን ኣይትንዕቆን ኢኻ”[17]። ነቢያት
618 ብሉይ ኪዳን፣ ነቲ ካብ ልቢ ዘይነቐለን፡ ምስ ፍቕሪ-ብጻይ ዘይተላፈነን መሥዋዕቲ ብዙሕ ግዜ ኪነቕፍዎ ተረኺቦም።[18] ኢየሱስ'ውን “ምሕረት ደኣ'ምበር መሥዋዕቲ ኣይኮንኩን ዝደሊ” ንዚብል ናይ ነቢይ ሆሴዕ ቃላት ይጠቅስ።[19] እቲ ኡንኮ ፍጹም መሥዋዕቲ ዚበሃል፣ ምእንቲ ድኅነትና ኢሉ፡ ናብ ፍቕሪ እግዚኣብሔር-ኣቦ፣ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዘወፈዮ ንኹሉ ዘጠቓልል መሥዋዕቲ እዩ።[20] ምስ'ዚ መሥዋዕቱ ርእስና ብምውህሃድ፡ ንሕይወትና ናብ ኣምላኽ ዚቐርብ መሥዋዕቲ ክንገብሮ ንኽእል ኢና።

## ቃል-ተስፋ ምሃብን፣ መብፅዓን

**2101** ኣብ ብዙሕ ኵነታት፡ እቲ ክርስትያን ምእመን ንእግዚኣብሔር ተስፋ
1237 ኪህብ ወይ ቃል ኪኣቱ ዝተጸወዐ እዩ። ጥምቀትን ናይ ሜሮን ቅብኣትን፣ ተክሊልን ቅዱስ መዓርጋትን (ክህነት) ወትሩ ቃል ዚእተወሉ እዩ። ከምኡ'ውን ካብ ውልቃዊ መንፈሳውነት ዝተበገሠ፡ እቲ ክርስትያን ምእመን ንኣምላኹ ዚኣትዎ ቓል ወይ ዚህቦ ተስፋ ኪህልዎ ይኽእል፤ እዚ ድማ ብሓደ ተግባር፣ ብጸሎት፣ ብግብረ ምጽዋት፣ ብግብረ ንግደት.... ወዘተ ይፍጸም። ነዚ ንኣምላኽ ዝኣቶኻዮ ቃል እሙን ኮይንካ ምርካብ፣ ንመለኮታዊ ግርማን፣ ነቲ እሙን ዝኾነ ኣምላኽ ናይ ዘሎካ ክብርን ፍቕርን መርኣያ እዩ።

**2102** “መብፅዓ (ወይ ስእለት) ኪበሃል ከሎ፣ ብናይ ሃይማኖት (እምነት) መንፈሳዊ ኃይሊ ኪፍጸም ዘለዎ፣ ኪግበር ዚከኣል ሓደ ዝበለጸ ሠናይ ነገር ንእግዚኣብሔር ንምውፋይ፣ ብናጽነትን ብድልየትን ዚእቶ ቓል እዩ።”[21] ምምብፃዕ ሓደ መንፈሳዊ ተግባር እዩ። በዚ መንፈሳዊ ተግባር'ዚ እቲ ክርስትያን ምእመን ርእሱ ንኣምላኽ የወፊ፤ ወይ ከኣ ንኣምላኽ ገለ ሠናይ ተግባር ከወፊ ቃል የኣቱ። ነዚ ቃሉ ወይ መብፅዓኡ ብምፍጻም ድማ ንኣምላኽ ንዝተተስፈወን፡

---

[16] ቅ.ኣጕስጢኖስ De civ Dei 10, 6 PL 41, 283.
[17] መዝ 51፡17
[18] ኣሞ 5፡21-25፣ኢሳ 1፡10-20 ረአ
[19] ማቴ 9፡13፣12፡7፣ሆሴ 6፡6 ረአ
[20] ዕብ 9፡13-14 ረአ
[21] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1191 § 1

ዝተቐደሰን (ዝተፈልየን) ኵሉ ናብኡ ከቕርቦ ይርከብ። ኣብ መጽሓፍ ግብረ ሓዋርያት ከምዚንገር፡ ቅዱስ ጳውሎስ ነቲ ዝኣተዎ መብፅዓ ኪፍጽም ከም ዝተገደሰ ይረአ።[22]

**2103** ንምኽርታት ወንጌል ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዚግበር መብፅዓታት፡ ዓቢይ ኣብነታዊ ግምት ከምዚወሃቦ ቤተክርስትያን ትእመን፡-[23] 1973

*ዝገደዶም ዘይብሎም፣ ብናይ ደቂ እግዚኣብሔር ሓርነት ተደሪኾም፣ ንሕይወት ምናኔ (ድኽነት) ብደስታ ተቐቢሎም፣ ድላያቶም ሓዲጎም፣ ኣሰር'ቲ መሓሪ ጐይታ ተኸቲሎም፣ ርእሶም ባዶ ብምግባር ንናይ መድኃኒ መደብ ብቐረባን ብግልጽን ከርእዩ ዝኽእሉ ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን ኣብ ውሽጣ ብምህላዎም፣ ኣዴና ቅድስት ቤተክርስትያን ኣዝያ ትሕጐስ። እዚኣቶም ምእንቲ እግዚኣብሔር ኪብሉ ርእሶም ኣብ ኣገልግሎት-ሰባት የወፍዩ፤ ምእንት'ዚ ከኣ፡ ተኣዛዚ ንዝኾነ ክርስቶስ ክሳብ ምምሳል፣ ኣብ መደብ ፍጽምና ክንየው'ቲ ሕጊ ዚእዝዞ ንምፍጻም ዝተበገሱ እዮም።*[24] 914

ኣብ ገሊኡ ፍሉይ ኵነታትን፣ ተመጣጣኒ ብዝኾነ ምኽንያትን ከኣ ቤተክርስትያን ካብ መብፅዓታት ኮነ ካብ'ቲ ዝተኣትወ ቃል ክትብይን ትኽእል።[25]

## *ናይ ሃይማኖት ማኅበራዊ ግቡእነትን፣ መሰል ሃይማኖታዊ ናጽነትን*

**2104** "ኵሎም ሰባት ንሓቂ ሃሰስ ኢሎም ኪረኽብዋ፣ ብፍላይ ድማ ንኣምላኽን ንቤተክርስትያኑን ብዚርኢ ንሓቂ ኪደልዩዋ፣ ምስ ፈለጥዋ (ምስ ረኸቡዋ) ከኣ ኪሓቝፉዋን፡ ኣብኣ ጸኒዖም ኪነብሩን ትሑዛት እዮም።"[26] 2467 851

እዚ ግዴታ ወይ ግቡእነት'ዚ ካብቲ "ናይ ሰብኣዊ ኣካል ክብረ-ግርማ" ዚፍልፍል እዩ።[27] እዚ ድማ ብዚበዝሕ "ንሰባት ናይ እተብርሀ ሓቂ ገለ ጩራ ንዘንጸባርቓ" ዝተፈላለያ ሃይማኖታት፣ ነዚኣተን ምስ ዚወሃብ "ብቕንዕና ዚግበር ኣኽብሮት" ዚጋጩ ኣይኮነን።[28] ከምኡ'ውን "ንእምነት ብዚርኢ፡ ነቶም ኣብ ድንቍርና ወይ ኣብ ስሕተት ዘለዉ፣ ብፍቕርን ጥበብን ብትዕግሥትን ኪካየድዎም"[29] ንኽርስትያን ምስ ዚድርኾም ናይ ፍቕሪ ቅድመኵነት ኣይጋጩን እዩ።

---

[22] ግ.ሓ 18፡18፣21፡23-24 ረአ
[23] ሕገቀኖና፣ ቀ. 654 ረአ
[24] ብር.ኣሕ. LG 42 § 2
[25] ሕገቀኖና፣ ቀ. 692፣1196-1197 ረአ
[26] ክብሪ-ሰብ DH 1 § 2
[27] ክብሪ-ሰብ DH 2 § 1
[28] መዋዕልና NA 2 § 2
[29] ክብሪ-ሰብ DH 14 § 4

**2105** ንኣምላኽ ኡነተይናን ንጹሕን ስግደት (ኣምልኾት) ንምቕራብ፡ ብወገን
854 ሰብ ዘሎ ግቡእነቱ፣ ብኽልቲኡ ወገኑ ውልቃውን ማኅበራውን እዩ። "ብመንፅር'ታ
898 ኡነተይና ሃይማኖትን፡ ናይ ክርስቶስ ሓንቲ ቤተክርስትያንን፣ ውልቀሰባትን
ማኅበረ-ሰባትን ዘለዎም ሞራላዊ ግዴታ ብዚርኢ፣ እቲ ንቡርን ቅቡልን ካቶሊካዊ
ትምህርቲ" እዚ እዩ።[30] ንሰባት ብቐጻሊ ወንጌል ብምስባኽ፣ "ኣብ ኣተሓሳስባን
ልምድን፣ ኣብ ሕግታትን ኣብ ዚነብሩሉ ማኅበራዊ መሣርዓትን፡ መንፈስ-
ክርስትና ንከሥርጽ[31] ምእንቲ ኪኽእሉ፣ ቤተክርስትያን ክትሰርሕ ትርከብ። ናይ
ምእመናን-ክርስትና ኅብረተሰባዊ ግዴታ እምበኣር ንነፍስወከፍ ሰብ ምኽባርን፣
ኣብኡ ድማ ፍቕሪ ሓቅን ሠናይን ዘበለ ዅሉ ምንቕቓሕን እዩ። ኣብ ካቶሊካዊት
ሓዋርያዊት ቤተክርስትያን ንዚርከብ ናይ'ታ ሓንቲ ቅንዕቲ ሃይማኖት ኣምልኾት
ንኻልኦት ከፍልጡ'ውን ትሑዛት እዮም።[32] ክርስትያን ናይ ዓለም ብርሃን
ንምዃን ዝተጸውዑ እዮም። ምእንት'ዚ ኽኣ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጥረት
ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ማኅበር ደቅሰባት ንዘለዎ ንግሥነት፣ ቤተክርስትያን
ብግልጺ ከተርእዮ ትርከብ።[33]

**2106** ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ተጻይ ርድኢቱን እምነቱን ኪሰርሕ ኣይግደድን።
160 "ከምኡ'ውን ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ብግሊ ይኹን ብማኅበር፣ ብውልቁ ይኹን
1782 ብኅብረት ምስ ካልኦት ኮይኑ በቲ ሕጋዊ ደረታት ተኸቲሉ፣ ንጉዳይ እምነቱን
1738 ሃይማኖቱን ብዚርኢ ብኅሊናኡ ተመሪሑ ንኸይሰርሕ ኪዓግቶ ወይ ኪእግዶ
ዚኽእል የልቦን"።[34] እዚ መሰል'ዚ ኣብ'ቲ ናይ ሰብኣዊ ኣካል ቀንዲ ባሕርይ
ዝተመሥረተ እዩ። ናይ'ዚ ሰብኣዊ ኣካል ክብረ-ግርማኡ ድማ፡ ነዚ ግዜያውን
ምድራውን ሥርዓት ጸብለል ንእትብሎ መለኮታዊት ሓቂ፣ ናጻ ኾይኑ ንምቕባላ
የኽእሎ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ "ሓቂ ንምድላይን፡ ኣብኣ ንምጽናዕን ንዘለዎም
ግዴታ ኣብ ዘይፍጽሙ ወገናት'ውን ቀጺላ ትርከብ"።[35]

**2107** "ናይ ሓደ ፍሉይ ሕዝቢ ኵነታት ብዘምጸኦ ምኽንያት፣ ሓደ ሃይማኖታዊ ማኅበረሰብ (ጕጅለ) ኣብ'ቲ ቅዋማዊ ኣሠራርዓ-ሃገር ፍሉይ ሕጋዊ ተቐባልነትን ኣተኵሮን እንተረኺበ'ውን፣ ኵሎም ዜጋታትን ሃይማኖታዊ ማኅበራትን ዘለዎም መሰል ናጽነት-ሃይማኖት፣ ብኹሉ ዝተሓለወን ዝተኸብረን ኪኸውን ይግባእ"።[36]

---

[30] ክብረ-ሰብ DH 1 § 3
[31] ሓዋርያዊ ተልእኮ AA 13 § 1
[32] ክብረ-ሰብ DH 1 ረአ
[33] ሓዋርያዊ ተልእኮ AA 13፣ልዮን መበል 13 Immortale Dei 3, 17፣ፒዮስ መበል 11 Quas primas 8, 20
[34] ክብረ-ሰብ DH 2 § 1
[35] ክብረ-ሰብ DH 2 § 2
[36] ክብረ-ሰብ DH 6 § 3

**2108** ናይ እምነትን ሃይማኖትን ናጽነት ማለት፡ መንገዲ ስሕተት ንምሓዝ እትጥቀመሉ ሞራላዊ ፍቓድ፣ ወይ ከኣ ስሕተት ንምፍጻም መሰል ዚህብ[37] ዘይኮነስ፣ ሲቪላዊ ናጽነት (ሓርነት) ንኺህልዎ ንሰብ ባሕርያዊ መሰል ዚህቦ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ብወገን ፖለቲካዊ ሰበሥልጣን ንሃይማኖት (ንእምነት) ዚርኢ ርኡይ ተጽዕኖ ንኸይግበር፡ ኣብ ውሽጥ'ቲ ሕጋዊ ደረታት ዚፍጸም፣ መሰል ዘይተነካእነት እዩ። እዚ ባሕርያዊ መሰል ድማ፡ ሲቪላዊ መሰል ብዘቕውመሉ ኣገባብ፡ ኣብ'ቲ ናይ ኅብረተሰብ ሕጋዊ ሥርዓት ቅቡልን ፍሉጥን ኪኸውን ይግበኦ።[38] 1740

**2109** እዚ መሰል-እምነት (ሃይማኖት) ብርእሱ በቲ ብግልጺ ወይ ብባሕርያዊ 2244
ኣገባብ ዚሕሰብ፡ "ናይ ሓባር ሥርዓት" ጥራሕ ዘይድሩት ወይ ከኣ ድሩት ኪኸውን 1906
ኣይክእልን።[39] እቲ ብባሕሪኡ ኣብኡ ዘሎ "ግቡእ ደረታት" ብመሠረት'ቲ ናይ ሓባራዊ ረብሓ ቅድመኹነታት፡ ብፖለቲካዊ ጥበብ ተመሪሕካ ንነፍስወከፍ ማኅበራዊ ሃለዋት ከምዚሰማማዕ ኮይኑ ዚውሰን እንኪኸውን፣ "ምስ'ቲ ሞራላዊ ሥርዓት ብዚሰማማዕ ሕጋዊ መምርሕታት" ተሰንዩ፣ በቲ ሲቪላዊ ሥልጣን ዚረግእ (ዚጸድቕ) እዩ።[40]

## III. "ብዘይካይ ካልእ ኣማልኽቲ ኣየሃልዉኻ"

**2110** ብዘይካ'ቲ ርእሱ ንሕዝቡ ዝገለጸ ሓደ እግዚኣብሔር፡ ካልኦት ኣማልኽቲ ከይነምልኽ፡ እቲ ቀዳማይ ትእዛዝ ይኽልክለና።ጥንቈላን ኢኣማኒነትን ይኽልክል፡ ብገሊኡ መዳይ ጥንቈላ ካብ መሥመር ንዝወጸ ሃይማኖት የመልክት። ኢኣማኒነት ተጻይ መንፈሳዊ ኃይሊ-እምነት እዩ።

### ጥንቈላዊ እምነት

**2111** ጥንቈላ ኪበሃል ከሎ፣ ስሑት መንገዲ ንዝሓዘ ሃይማኖታዊ (እምነታዊ) ስምዒትን፡ እዚ ስምዒት'ዚ ንዘኸትሎ ተግባራትን ዘመልክት እዩ። ንገሊኡ ኣድላይን ሕጋውን ዝኾነ ተግባራት፡ ሥዉር ኃይልን ክእለትን (magical) ኣለዎ ኢልና፡ ፍሉይ ተገዳስነት፡ እንክንገብረሉ፣ ናብ'ቲ ኡነተይና ኣምላኽ ንእነቕርቦ ኣምልኾ'ውን ኪትንክፎ ይርከብ። ናይ ጸሎት ኮነ ናይ ምሥጢራት ትእምርት፡ ብቕዓቱ፡ ኣብ'ቲ ውሽጣዊ ኵነቱ ዘይኮነስ፣ ኣብ'ቲ ግዳማዊ መሥርዓቱ ጥራሕ'ዩ ዚርከብ ምባል፣ ኣብ ጥንቈላ ምውዳቕ እዩ።[41]

---

[37] ልዮን መበል 13 Libertas praestant. 18፣ፕዮስ መበል 12 AAS 1953፣799 ረአ
[38] ክብሪ-ሰብ DH 2 ረአ
[39] ፕዮስ 6ይ Quod aliquantum (1791) 10፣ፕዮስ 9ይ Quanta cura 3 ረአ
[40] ክብሪ-ሰብ DH 7 § 3
[41] ማቴ 23፡16-22 ረአ

# ኣምልኾ ጣዖት

**2112** እቲ ቀዳማይ ትእዛዝ ብዙኃት ኣማልኽቲ እንካብ ምኽታል
210 ይኹልክል። ብዘካ'ቲ ኡነተይና ኣምላኽ ካልኣት ኣማልኽቲ ከየኣምን ኮነ፡
ከየኽብሮም ንወድሰብ ይግድዶ፤ "ግብረ-ኢድ-ሰብ ዝኾኑ ናይ ወርቅን ብሩርን
ጣዖታት" ኪንጸጉ ከምዚግበኦም ቅዱስ መጽሓፍ ደጋጊሙ ዜዘኻኽሮ እዩ። "ኣፍ
ኣለዎም ግና ኣይዛረቡን እዮም፣ ኣዕይንቲ ኣለዎም ግና ኣይርእዩን"። እዞም
ገለ'ኳ ዘይብሎም ባዶ ጣዖታት ነቶም ዘምልኽዎም ከምኡ ባዶ ይገብርዎም፤
"እቶም ዚገብርዎም ልክዕ ከምኦም እዮም፤ እቶም ኣብኦም ዚእመኑ'ውን
ከምኡ"።[42] እግዚኣብሔር ግና፡ እቲ ሕያው ኣምላኽ"[43] ሕይወት ዚህብን፡ ኣብ
ታሪኽ ብምእታው'ውን ተግባሩ ዚፍጽምን እዩ።

**2113** ኣምልኾ-ጣዖት ኪበሃል ከሎ፣ ንሓሳዊ ኣረማዊ ኣምልኾ ጥራሕ ዚርኢ
398 ኣይኮነን። ተጻዪ እምነት ዚንቀሳቐስ ቀጻሊ ፈተና እዩ። ኣምልኾ ጣዖት
2534 እምበኣር ነቲ ኹሉ ኣምላኽ ዘይኮነ፡ "ከተምልኾ" ወይ ከም ኣምላኽ ክትጥምቶ
2289 ከሎኻ እዩ። ወድሰብ ንዝኾነ ይኹን ፍጡር፡ ጣዖት ይኹን ሰይጣናዊ ኃይሊ
2473 (ንኣብነት ኣምልኾ ሰይጣን)፣ ወይ ኃይሊ/ሥልጣን፣ ፍትወት፣ ዓሌት፣ ኣምልኾ
ቀዳሞት፣ ኣምልኾ ሃገር፣ ኣምልኾ ገንዘብ.... ወዘተ፡ ኣብ ቦታ-ኣምላኽ ኣቐሚጡ
ከኽብሮን ኪፈርሖን ምስዚርከብ ኣምልኾ-ጣዖት ይፍጽም። "ንኣምላኽን
ንገንዘብን ከተገልግሉ ኣይትኽእሉን"[44] ይብል ኢየሱስ። ብዙኃት ሰማዕታት'ውን
ነቲ "ኣራዊት"[45] ከይሰግዱ፣ ነዚ ዚመስል ዓይነት ኣምልኾ'ውን ከይፍጽሙ ኪብሉ
ሞት ተቐቢሎም። ኣምልኾ-ጣዖት ነቲ መማዝንቲ ዘይብሉ ጕይትነት-ኣምላኽ
ዚነጽግ እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ ምስ ኣምላኽ ምስ ዚግበር ሱታፌ ዘይሰማማዕ
እዩ።[46]

**2114** ሰብኣዊ ሕይወትን ንብረትን ሓድነቱ ዚጭብጥ ናብ'ቲ ሓደ ኣምላኽ ኣብ ዘቕርቦ ስግደቱን ኣምልኾኡን እዩ። ንእግዚኣብሔር ጥራሕ ኪሰግድ (ከምልኽ) ዝተዋህቦ ትእዛዝ ንሰብ ምልኣት ይህቦ፣ ካብ'ቲ መወዳእታ ዘይብሉ ምብትታን ከኣ የድሕኖ። ኣምልኾ ጣዖት ኣብ ውሽጢ ወድሰብ ናይ ዘሎ ሃይማኖታዊ (መንፈሳዊ) ስምዒት ምዝንባል እዩ። እቲ ንጣዖት ዘምልኽ ሰብ፣ "ነቲ ብዛዕባ ኣምላኽ ዘለዎ ዘይንቕንቕ ርድኢት፡ ኣምላኽ ናብ ዘይኮነ፣ ናብ ዝኾነ ካልእ ከሰጋግሮ ዚርከብ እዩ"።[47]

---

[42] መዝ 115፡4-5፣8፣ኢሳ 44፡9-20፣ኤር 10፡1-16፣ዳን 14፡1-30፣ባሮ 6፣ጥበ 13፡ 1-15፡19 ረኣ
[43] ኢያ 3፡10፣መዝ 42፡3፣ ወዘተ
[44] ማቴ 6፡24
[45] ራእ 13-14 ረኣ
[46] ገላ 5፡20፣ኤፌ 5፡5 ረኣ
[47] ኣርጌንስ Contra Celsum 2, 40፡ PG 11, 861.

## ጥንቈላዊ ትንቢትን ኣስማትን

**2115** ኣብ'ቲ ዚመጽእ ዘሎ ግዜ እንታይ ከምዚፍጸም ንኺፈልጡ፣ ኣምላኽ ንነቢያቱን ንቅዱሳኑን ኪገልጸሎም ይኽእል እዩ። እንተኾነ፡ ንመጻኢ ብዚርኢ ርእሰኻ ኣብ ትሕቲ ቅኑዕ ኃልዮት-ኣምላኽ ምግባር፣ ብዛዕባኡ ዚለዓል ዘይጠቅም ውጥምና ድማ ፈጺምካ ምሕዳግ፣ ሕጂ'ውን እቲ ቅኑዕ ክርስትያናዊ ኣተና እዩ። ግና ኸኣ ንዚመጽእ ዘይተሓሰበ (ዘይተሓሊ) ምኳን ኃላፍነት ዘይምልባስ እዩ። 305

**2116** ዝኾነ ዓይነት ጥንቈላዊ ትንቢት፣ ናብ ሰይጣን ወይ ናብ ኣጋንንቲ ምጽጋዕ፣ ብምትሃት ሙታን ምጽዋዕ፣ ወይ ከኣ ብዛዕባ መጻኢ "ንምግላጽ" ተባሂሉ ስሑትን መስሓትን ዝኾነ ተግባር ምኽታል፣[48] ኪንጸግ ዘለዎ እዩ። ከዋኽብቲ ምቍጻርን፣ ራሕ-ኢድ ምንባብን፣ ዛዕጐል ዘርዚርካ መጻኢ ምትርጓምን ምንጋርን፣ ኣብ ስምዒት-ሕዋሳት ብዘየኣቱ ኣገባብ፣ ነገራት ምፍላጥን ኣማዕዲኻ ምጥማትን፣ መናፍስትን ካልእን ምጽዋዕ ኩሉ፣ ኣብ ልዕሊ ግዜን ታሪኽን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ጸብለል ንምባልን ደገፍ ሥዉር ኃይልታት ንምርካብን ዚግበር ኩሉ ምስኡ ይጽብጸብ። ብመንፅር ኣምላኽ ኪህልወና ንዚግበኦ ግምትን ክብርን፡ ፍቕሪ ዝመልኦ ፍርሃቱን ኩሉ ዚፃረር እዩ።

**2117** ነቲ ሥዉር ኃይልታት ተቘጻጺርካ ኣብ ኣገልግሎትካን ረብሓኻን ምእንቲ ኪውዕልን፣ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ልዕለ-ባሕርያዊ ጸብለልትነት ንምርካብ፣ ዚካየድ ኩሉ ዓይነት ግብረ-ጥንቈላን ኣስማትን፡ ወላ ጥዕና ንምርካብ'ውን እንተኾነ፡ ነቲ ናይ ሃይማኖት መንፈሳዊ ኃይሊ፡ ብኸቢድ ዚፃረር እዩ። እዚ ተግባራት'ዚ ኣውራ ኪውገዝ (ኪኹነን) ዚግበኦ ድማ፣ ንኻልእ ንምጕዳእ ብዚብል ኀሊና ዝተሰነየ፣ ወይ ከኣ ሰይጣውንቲ ገለ ንኺገብሩልካ ንምልማን ዝተገብረ እንኪኸውን እዩ። ክታባት ምእሳር ነውሪ እዩ። ሓተታ-መናፍስት (ምጽዋዕ መናፍስቲ) ኪበሃል ከሎ፣ መጻኢ ንምፍላጥ ንዚግበር፣ ወይ ከኣ ካልእ ግብረ-ጥንቈላ ዜመልክት እዩ፤ ቤተክርስትያን ብወገና ነዚ ኸምዚታት ዝበለ ከይፍጽሙ ንምእመናን ኣበርቲዓ እተጠንቅቕ እዩ። ናብ'ቲ ባህላዊ ፍወሳ ወይ ሕክምና ምኻድ ማለት'ውን፣ ንርኹሳት መናፍስቲ ብምምሕጻን ኮነ፣ ብገርህነት-ካልኦት ተበሊጽካ ኣእሚንካ ንዚግበር ዝኾነ ይኹን ዘይግባእ ተግባር ዘፍቅድ ኣይኮነን።

## ፀረ ሃይማኖት

**2118** ፀረ-ሃይማኖት ብዝኾነ ኹሉ ንዚፍጸም፣ ብቓልካ ኮነ ብተግባርካ፣ ምርኻስን፡ ንመንፈሳዊ ነገር ብገንዘብ ክትገዝኦ ምድላይ፣ በቲ ቀዳማይ ትእዛዝ-እግዚኣብሔር ዝተወገዘ እዩ።

---

[48] ዘዳ 18፡10፣ኤር 29፡8 ረአ

**2119** ንእግዚኣብሔር ምፍታን ማለት፡ ብቓል ኮነ ብተግባር፡ ነቲ ናቱ
394 ሕያውነትን ከሃሌኩሉነትን ኣብ ሕቶ ምእታው ማለት እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ ሰይጣን
2088 ንኢየሱስ ካብ ጫፍ-ቤተመቕደስ ንኺውርወር ኪፈታተኖ ከሎ፣ በዚ ተግባር'ዚ
እግዚኣብሔር ገለ ንኺፍጽም ከገድዶ ይደሊ።[49] "ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኩም
ኣይትፈትንዎ"[50] ብዚብል ቃል-ኣምላኽ፣ ኢየሱስ ንሰይጣን ተቓወሞ። ኣብ'ዚ ከምዚ
ዝበለ ንኣምላኽ ዚግበር ምፍትታን፣ እቲ ንእግዚኣብሔር ፈጣሪና ከነቕርበሉ
ዚግበኣና ኣኽብሮትን እምነትን ኪህሰ ይርከብ፤ ብዛዕባ ፍቕሩን ኃልዮቱን
ኃያልነቱን ድማ ወትሩ ጥርጣረ ዝሓዘ እዩ።[51]

**2120** ተግባረ ርኽሰት'ውን ንምሥጢራት ኮነ ንኻልእ ግብረ-ኣምልኾኣዊ
1374 ስራሓትን፣ ንእግዚኣብሔር ንዝተወፈዩ ሰባትን ነገራትን (ኣቕሑን) ቦታታትን
ንኽብሮም ዘይበቕዕ ኣገባብ ምፍጻም የስምዕ። ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ምሥጢረ
ቅዱስ ቍርባን እቲ ናይ ክርስቶስ ኣማናዊ ሥጋ፡ ብህላዌኡ ናባና ዚቐርበሉ
ስለዝኾነ፣ ተጻይ ቅዱስ ቍርባን ዚፍጸም ተግባረ-ርኽሰት ኣዝዩ ከቢድን ዓቢይን
ኃጢኣት እዩ።[52]

**2121** ግብረ-ሲሞን፡ ኪበሃል ከሎ፡ ንመንፈሳዊ ረብሓ ወይ ጸጋ ምግዛእ ወይ
1578 ምሽያጥ የስምዕ።[53] ኣብ ሓዋርያት ይሰርሕ ንዝነበረ መንፈሳዊ ኃይሊ (ብገንዘብ)
ኪገዝኦ ንዝሓሰበ (ንዝደለየ) ሲሞን ጠንቋሊ "ነቲ ህያብ-ኣምላኽ ብገንዘብ ክትዕድጎ
ስለዝሓሰብካ ገንዘብካ ምሳኻ ይጥፋእ"[54] ኪብል ቅዱስ ጴጥሮስ መለሸሉ። በዚ
ምላሹ'ምበኣር ጴጥሮስ "ብናጻ ተቐቢልኩም ኢኹም'ሞ፣ ብናጻ ሃቡ"[55] ንዚብል
ቃላት-ኢየሱስ ኪሕሉ ይርከብ። መንፈሳዊ ነገራትን ጸጋታትን ምንጬ እግዚኣብሔር
ስለዝኾነ፣ ሓደ ሰብ ናቱ ንብረት ኪገብሮ፣ ከም ናቱ ዋናን ጐይታን ኮይኑ ኪረኣን
ከካይዶን ኣይከኣልን እዩ። ስለ'ዚ ከኣ ሓደ ሰብ፡ ነዚ ጸጋታት ወይ ነገራት'ዚ
ብዘይገለ ክፍሊት ካብ እግዚኣብሔር ጥራሕ'ዩ ኪቕበሎ ዚኽእል።

**2122** "እቶም ድኻታት፡ ብሰንኪ ስእነቶም ካብ ናይ ምሥጢራት ረድኤት
ከይክልከሉ ብምጥንቃቕ፤ እቲ ልኡኽ (-ቤተክርስትያን) ወይ ካህን ምሥጢራት
ኪሠርዕን ኪዕድልን ከሎ፣ ሕጋዊ ግቡእነት ዘለዎ በዓልሥልጣን ካብ ዝደንገጎ
ወፈያ ሓሊፉ፣ ዝኾነ ይኹን ዚሓቶ ክፍሊት (ረብሓ) የልቦን።"[56] እቲ ሕጋዊ
ግቡእነት ዘለዎ በዓልሥልጣን ድማ፡ ነቲ "ወፈያታት" ዚውስን፣ ክርስትያን-

---

[49] ሉቃ 4፡9 ረአ
[50] ዘዳ 6፡16
[51] 1 ቆሮ 10፡9፣ ዘፀ 17፡2-7፣መዝ 95፡9 ረአ
[52] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1367፣1376 ረአ
[53] ግ.ሓ 8፡9-24 ረአ
[54] ግ.ሓ 8፡20
[55] ማቴ 10፡8፣ኢሳ 55፡1 ረአ
[56] ሕገቀኖና፣ ቀ. 848.

ምእመናን ንኣገልገልቲ-ቤተክርስትያን ንምንብባር ገለ ከበርክቱ ይግባእ፣ ንዚብል መምርሒ ኣብ ግምት ብምእታው እዩ። "ንሰራሕተይና መግቡ ይግበኦ እዩ"።[57]

## ፀረ-ኣምላኽ

**2123** "ብዙኃት...ካብ ደቅግዜና፡ ሰብ ምስ ኣምላኽ ንዘለዎ ዓሚቕን መሠረታውን ርክብ ወይ ፈጺሞም ኣየስተውዕልዎን፣ ወይ ከኣ ብግልጺ ኪነጽግዎ ይርከቡ። ፀረ-ኣምላኽ እምበኣር ናይ'ዚ እዋንና ከቢድን ኣዝዩ ሓደገይናን ካብ ዝኾነ ግድላት ሓደ እዩ።"[58] 29

**2124** እዚ "ፀረ-ኣምላኽ" ዚብል ቃል ንብዙሕን ዝተፈላለየን ተርእዮታት ዜጠቓልል እዩ። ሓደ ካብኡ እሞ እቲ ልሙድ ዝኾነ፡ ነቲ ባህግታቱን ድልየቱን ኣብ ቦታን ግዜን ዚድርት፡ ኣብ ግዙፍ ነገራት ጥራሕ ዚኣምን ግብራዊ ሕይወት እዩ። ኣብ ፀረ-ኣምላኽ ዝተመሥረተ ሰብኣውነት፡ ንሰብ "ናይ ርእሱ/ባዕሉ ዕላማን፣ ናይ ታሪኹ ገባርን፡ ልዑል ተቘጻጻርን ገቢሩ ዚሓስብ[59] ግጉይ ኣረዳድኣ እዩ። ካልእ እዋናዊ ፀረ-ኣምላኽ ባህሊ ድማ፡ ብኤኮኖሚያውን ማኅበራውን ሓርነት ገቢሩ ንሰብ ሓራ ከውጽእ ዚሓስብ እዩ። "ንተስፋታት ወድሰብ ኣብ ዚመጽእ ሕይወት ጥራሕ ከምዘተኵር ብምግባር፣ ሃይማኖት ብባሕሪኡ ንኸምዚ ዝበለ ሓርነትን ዕቤትን ዚቃወም እዩ፤ ምእንት'ዚ ከኣ ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ንዝበለጸ ዓይነት-ሕይወት ንኺሰርሕ ኣየተባብዖን፡ ከስሕቶ'ውን ይርከብ"[60] ዚብል ናይ'ዚ ፀረ-ኣምላኽ ባህሊ ኣተሓሳስባ እዩ።

**2125** ንህላዌ እግዚኣብሔር ዚነጽግ ወይ ዘይቕበል ስለዝኾነ፣ ፀረ-ኣምላኽ 1735
ንናይ ሃይማኖት መንፈሳዊ ኃይሊ ዚፃረር ኃጢኣት እዩ።[61] ናይ'ዚ በደል'ዚ ተሓታትነት፡ ብዚግባእ ኪቃለል (ኪጐድል) ዚኽእል ብመሠረት'ቲ ዘበገሦ ኅሊናን፡ ኣገባብራኡን ኪምዘን እንከሎ እዩ። "እዚ ፀረ-ኣምላኽ ባህሊ ንኺምዕብል ምእመናን'ውን ውሑድ ዘይኮነን ዘይነዓቕን ኣበርክቶ ነይርዎም ኪኸውን ዚከኣል እዩ። እዚ ኸኣ ንእምነት ብዚርኢ ትምህርቲ ሸለልትነት ብምርኣይ፣ወይ ንትምህርተ-እምነት ኣጋጊኻ ብምቕራብ፣ ከምኡ'ውን ኣብ መንፈሳውን ሞራላውን ማኅበራውን ሕይወት እንኪሓምቁን፣ነቲ ኡነተይና ባሕርይ ኣምላኽን ሃይማኖትን (እምነትን) ክንዲ ዚገልጽ ዚኸውሎ ኮይኑ ይርከብ"።[62]

[57] ማቴ 10፡10፣ሉቃ 10፡7፣1 ቆሮ 9፡5-18፣1 ጢሞ 5፡17-18 ረአ
[58] ፍሥሓን ተስፋን GS 19 § 1
[59] ፍሥሓን ተስፋን GS 20 § 2
[60] ፍሥሓን ተስፋን GS 20 § 2
[61] ሮሜ 1፡18 ረአ
[62] ፍሥሓን ተስፋን GS 19 § 3

**2126** ፀረ-ኣምላኽ ብዚበዝሕ፣ ንሰብ ኣብ ኣምላኽ ምጽጋዕ ኣየድልዮን እዩ
396:154 ክሳብ ምባል ዚጋነን፣ ብዛዕባ ናይ ሰብ ናጽነት ግጉይ ኣብ ዝኾነ ኣተሓሳስባ
ዝተመርኰሰ እዩ።[63] እንተኾነ ግን፣ "ንኣምላኽ ምቕባልን ምእማንን ብዝኾነ
ይኹን መንገዱ ንናይ ሰብ ክብረ-ግርማ ዚፃረር ኣይኮነን፤ ከመይ'ሲ፡ እዚ ክምዚ
ዝበለ ክብረ-ግርማ መሠረቱን፡ ፍጹም ምዕባሌኡን፣ ኣብ እግዚኣብሔር እዩ
ዚርከብ…"[64] "መልእኽታ ምስ'ቲ ናይ ልቢ-ወድሰብ ኀቡእ ድሌትን ባህግን ዘሳኒ
ምዃኑ ቤተክርስትያን ኣጸቢቓ ትፈልጥ እያ"[65]።

## ፀረ-እምረተ ኣምላኽ (Agnosticism)

**2127** ፀረ-እምረተ-ኣምላኽ (ፀረ-ፍልጠት ኣምላኽ) ብዙሕ መልክዓት ዘለዎ
36 እዩ። እቲ ብዛዕባ ኣምላኽ ዚፍለጥ ነገር የለን ዚብል ሰብ፡ ኣብ ገሊኡ ኵነታት
ንኣምላኽ እንካብ ምንጻግ የድሓርሕር። ብተጻዩ እኳደኣ፣ ርእሱ ኪገልጽ ዓቕሚ
ዘይብሉ፣ ብዛዕባኡ'ውን ገለ'ኳ ኪበሃል ዘይከኣል ሓደ ልዑል ህላዌ ኪህሉ ይከኣል
ዚብል ሓሳብ የቕውም። ብኻልእ ወገን ድማ፣ ህላዌ-እግዚኣብሔር ኪረጋገጽ
ዘይከኣል፣ ክትቅበሎ ኮነ ክትነጽጎ ዘይትኽእል እዩ ብምባል፣ እቲ ፀረ-እምረት
ኣምላኽ ዝመትከሉ ባህሊ፣ ብዛዕባዚ ገለ'ኳ ግምት ወይ ፍርዲ ኣይህብን።

**2128** ገሊኡ ግዜያት፡ እዚ ፀረ-እምረተ ኣምላኽ ንእግዚኣብሔር ሃሰስ ኢልካ
1036 ንምርካቡ እንኬመልከት፣ ማዕረ ማዕረኡ'ውን ግዴየለሽነት፣ ማለት ብዛዕባ ሕይወት
ኮነ ህላዌ ካብ ዚቐርብ ዓቢይ ሕቶ ምህዳም፣ ዝሑል ሞራላዊ ኅሊናን ሒዝካ ምክያድ
ከምጽእ ይኽእል። እዚ ፀረ-እምረት ምስ'ቲ ግብራዊ ፀረ-ኣምላኽ ዚመዛዘን እዩ።

1115-1162 # IV. "ምስልን ሥእልን ዘበለ ኣይትግበር"

**2129** እዚ መለኮታዊ ትእዛዝ፡ ብኢድ-ሰብ ንዚግበር ዝኾነ ይኹን ዓይነት
300 ሥእሊ ወይ ምስሊ-ኣምላኽ ይእግድ። "እግዚኣብሔር ኣብ ኮሬብ ኣብ ማእከል
2500 ሓዊ ብዝተዛረበኩም መዓልቲ ገለ መልክዕ'ኳ ኣይረኣኹምን እሞ፣ ተጠንቂቕኩም
ነፍሳትኩም ሓልዉ፣ ዝኾነ ምስሊ……ብምግባርኩም ከይትበላሸዉ ተጠንቀቑ"[66]
ኪብል መጽሓፍ ኦሪት ዘዳግም ይገልጽ። እቲ ርእሱ ንእስራኤል ዝገለጸ፡ እቲ
ፍጹም ልዑል ኣምላኽ እዩ። "ንሱ ኩሉ እዩ" ምስ'ዚ ድማ "ንሱ ካብ ኩሉ
ስራሓቱ (ፍጥረቱ) ዝዓበየ እዩ"።[67] ናይ ኵሉ ጽባቐ ዋናን ገባርን" ንሱ እዩ።[68]

---

[63] ፍሥሓን ተስፋን GS 20 § 1 ረአ
[64] ፍሥሓን ተስፋን GS 21 § 3
[65] ፍሥሓን ተስፋን GS 21 § 7
[66] ዘዳ 4፡15-16
[67] ሢራ 43፡27-28
[68] ጥበ 13፡3

**2130** እንተኾነ፡ ድሮ ኣብ ግዜ ብሉይ ኪዳን ብርእሱ፣ በቲ ዝተሠገወ ቃል ንዚፍጸም ድኅነት፣ ብኣምሳላዊ መንገዲ ዜመልከት ምስልታት ኪግበር ባዕሉ እግዚኣብሔር ሠሪዑ ወይ ኣፍቂዱ እዩ። እዚ ኸኣ ከም'ቲ ተመን-ኣስራዚ፣ ታቦተ ኪዳንን፣ ኪሩቤልን ዝበለ እዩ።[69]

**2131** ኤኩመኒካዊ ጉባኤ ኒቅያ ሻብዓይ (787 ዓ.ም) እውን ኣብ ምሥጢረ ሥጋዌ-ቃል ተመርኵሱ፣ ተጻይ'ቶም ሰበርቲ-ኣይቆና ተላዒሉ፣ ናይ ክርስቶስን ናይ'ታ ወላዲተ ኣምላኽን፣ ናይ መላእኽትን ቅዱሳንን ኣይቆና ኪኽብር ከምዚግባእ ኣረጋጊጹ። ወልደ-እግዚኣብሔር ሥጋ ብምልባሱ፣ ሓዲሽ "ኣገባብ" ወይ "ሥርዓት" ምስልን ሥእልን ኣተኣታተወ። 476

**2132** ብወገን ክርስትና ዚፍጸም ናይ ሥእልታት ኣኽብሮት፣ ነቲ ኣምልኾ-ጣዖት ዚእግድ ቀዳማይ ትእዛዝ ዚፃረር ኣይኮነን። ብርግጽ'ውን "እቲ ንሓደ ሥእሊ ወይ ምስሊ ዚወሃብ ክብሪ፣ ናብ'ቲ ዜመልክቶ ብቐንዱ የሓልፍ" ከምኡ'ውን "እቲ ንሓደ ሥእሊ/ምስሊ ዜኽብር፣ ነቲ ተሣኢሉ ወይ ተመሲሉ ዘሎ ኣካል እዩ ዘኽብር"።[70] ንመንፈሳዊ ኣሣእል ዚወሃብ ክብሪ "ብትሕትና ዚግበር ኣኽብሮት" ደኣ'ምበር፣ እቲ ንሓደ ኣምላኽ ብሕቱ ዚወሃብ ኣምልኾት ኣይኮነን፡-

> ንኣሣእል ብርእሱ፡ ከም መጠን ነገራት፡ ዚወሃቦ መንፈሳዊ (ሃይማኖታዊ) ኣምልኾት ወይ ስግደት የልቦን። ግና ናብ'ቲ ሥጋ ዝለበሰ ኣምላኽ ዘብጽሕ፡ ፍሉይ ጠባይ ከም ዘለዎ ሥእሊ መጠን እዩ ዚኸብር። እቲ ናብ'ዚ ሥእሊ ዚግበር ምንቅስቓስ፣ ከም መጠን ሥእሊ ኣብኡ ዘብቅዕ ዘይኮነስ፣ ክንየዉ ብምኻድ ናብቲ ዚውክሎ/ዘመልክቶ ገጹ ዚውንጨፍ እዩ።[71]

## ብሓጺር

**2133** "ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን፣ ብኹሉ ኃይልኻን ኣፍቅሮ"።(ዘዳ.6:5)

**2134** እቲ ቀዳማይ ትእዛዝ፣ ሰብ ኣብ እግዚኣብሔር ንኺኣምን፣ ኣብኡ ንኺትስፎ፣ ልዕሊ ኩሉ ነገር ነኣኡ ከፍቅር ይዕድሞ።

**2135** "ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኣምልኽ"(ማቴ.4:19)። ንእግዚኣብሔር ምምላኽ፣ ናብኡ ምጽላይ፣ ነኣኡ ዚግባእን ዚበቅዕን ስግደት ምቕራብ፣ ዝተመባፃዕካዮ መብፅዓ ምፍጻም፣ እዚ ኹሉ ንቐዳማይ ትእዛዝ ተኸቲልካ ዚፍጸም፡ ናይ መንፈሳዊ ኃይሊ-ሃይማኖት ተግባራት እዩ።

---

[69] ዘኁ 21:4-9፣ጥበ 16:5-14፣ዮሓ 3:14-15፣ ዘፀ 25:10-22፣1 ነገ 6:23-28፣7:23-26 ረኣ
[70] ቅ.ባስልዮስ De Spiritu Sancto 18, 45፡ PG 32, 149C፣ጉባኤ ኒቅያ 2ይ፡ DS 601፣ ጉባኤ ትረንቶስ፡ DS 1821-1825፣ቫቲካን 2ይ፡ ቅዱስ ጉባኤ SC 126፣ብር.ኣሕ.LG 67
[71] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STH II-II, 81, 3 ad 3

**2136** ንኣምላኽ ኡኑተይና ስግደት ናይ ምቕራብ ግዴታ፣ ንሰብ ብውልቅን ብማኅበርን ዚግድሶ ጕዳይ እዩ።

**2137** "ሎሚ ዘለዉ ሰባት፡ ንሃይማኖቶም ብናጻ እሞ ብስቱርን ብግልጽን ከዘውትርዎ ይደልዩ።" (ክብረ-ሰብ DH 15)

**2138** ግብረ ጥንቈላ፣ ካብ'ቲ ንኡኑተይና ኣምላኽ እነቕርቦ ስግደት/ ኣምልኾ ምዝንባል እዩ። ብኣምልኾ ጣዖትን፣ ከምኡ'ውን ብዝተፈላለየ ዓይነት መደባት ጥንቈላን ኣስማትን ዚግለጽ እዩ።

**2139** ንኣምላኽ ብቓልካ ኮነ ብተግባርካ ምፍትታኑ፣ ግብረ-ኣርክሶት፣ ግብረ-ሲሞን፣ በቲ ቀዳማይ ትእዛዝ ዚእገድ ተጻይ ሃይማኖት ዚፍጸም ኃጢኣት እዩ።

**2140** ንህላዌ-ኣምላኽ ብቐንዱ ዚነጽግን ዘይቅበልን ስለዝኾነ፣ ፀረ-ኣምላኽ (Atheism) ተጻይ'ቲ ቀዳማይ ትእዛዝ ዚፍጸም በደል እዩ።

**2141** ኣኽብሮ መንፈሳዊ ኣሣእል፡ ኣብ ናይ ወልደ-እግዚኣብሔር ምሥጢረ ሥጋዌ ዝተመሥረተ እዩ። ንቐዳማይ ትእዛዝ ዚፃረር ኣይኮነን።

## ኣንቀጽ 2
# ካልኣይ ትእዛዝ

"ስም እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል"[72] "ንቶም ቀዳሞት.... ብሓሶት ኣይትምሓል ከምዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ኣነ ግና....ከቶ ኣይትምሓሉ እብለኩም ኣሎኹ።"[73]

## 2807-2815 I. ስም እግዚኣብሔር ቅዱስ እዩ።

**2142** እቲ ካልኣይ ትእዛዝ፣ ንስም-እግዚኣብሔር ዚበቕዕ ኣኽብሮ ኪወሃብ ይእዝዝ። እዚ'ውን ልክዕ ከምቲ ቀዳማይ ትእዛዝ ንናይ ሃይማኖት መንፈሳዊ ኃይሊ ዚምልከት ኮይኑ፣ ብፍላይ ድማ ንመንፈሳውን ዝተቐደሰን ነገራት ብዚርኢ ንእንጥቀመሉ ቋንቋን ኣዘራርባን ዚመርሕ እዩ።

---

[72] ዘፀ 20፡7፣ዘዳ 5፡11
[73] ማቴ 5፡33-34

**2143** ኣብ መንጎ'ቲ ኩሉ ናይ ግልጸት ቃላት፡ ኡንኮን ፍልይትን ዝኾነት ቃል ኣላ፣ -እታ ዝተገልጸት ስም-ኣምላኽ እያ። ነቶም ኣብኡ ዚኣምኑ፣ ኣምላኽ ስሙ ይነግሮም፤ በቲ ናቱ ምሥጢር ገቢሩ ርእሱ ይገልጸሎም። ስምካ ምሃብን ምግላጽን ናይ ምትእምማንን ውሽጣዊ ቅርበትን ምልክት እዩ፤ "ስም እግዚኣብሔር ቅዱስ እዩ"። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ሰብ ኪግህሶ ወይ ከራኽሶ ኣይግበኦን። ብስቕታን ጽሞናን፡ ብናይ ፍቕሪ ኣምልኾትን ስግደትን ኣብ ልቡ ኪሕዞ የድሊ። ንኺባርኾን ኪውድሶን ከኽብሮን እንተዘይኮይኑ ኣብ ዘረባኡ ከልዕሎ ወይ ኪሰምዮ ኣይግባእን።[74] 203 435

**2144** ንስሙ ዚግባእ ኣኽብሮት ምሃብ ማለት፡ ነቲ ምሥጢር-ኣምላኽ ብቕንዱን፡ ነቲ ኹሉ ዚተናኽፎ መንፈሳዊ ነገራትን ናይ ዚወሃብ ኣኽብሮት መግለጺ እዩ። ናይ'ቲ ዝተቐደሰን መንፈሳውን መዳይ ስምዒት፣ ናይ ሃይማኖት መንፈሳዊ ኃይሊ ክፍሊ እዩ፡-

> እዚ ናይ ፍርሃትን ኣኽብሮትን ስምዒትሲ፣ ንሓደ ክርስትያን ዚግባእ ስምዒት ድዩ?... እምበኣር ኣነስ፡ ነዚ ሓደ'ኳ ኪምጕቶ ዘይክእል ኢለ ዝሓስቦ እብል ኣሎኹ። ብጭቡጥን ብርኡይን ኣገባብ ናይ'ቲ ከሃሌኩሉ ኣምላኽ ትርኢት ኪህልወና እንተኾይኑ፣ እዚ ዝተጠቐሰ ስምዒታት ኪህልወና፣ እወ ብዕዙዝ ኣገባብ ኪህልወና የድሊ። ህላዌኡ ከነስተውዕል እንተኾይንና፡ እዚ ዓይነት ስምዒታት ኪህልወና ኣለዎ። ነዚ ህላዌኡ መጠን ዘስተማቕርናዮን ዝኣመንናዮን፣ መጠኑ እዚ ስምዒታት'ዚ ኪህልወና እዩ፤ እዚ ዘይብልካ ማለት ግን ንህላዌኡ ዘይምስትውዓልን፡ ንሱ ህልው ምኳኑ ዘይምእማንን እዩ።[75]

**2145** ምእመናን፡ ንፍርሒ ቦታ ከይሃቡ፡ እምነቶም ብምግላጽ፣ ንስም-እግዚኣብሔር ምስክርነቶም ከዕዝዙ ይግባእ።[76] ስብከትን፡ ናይ ትምህርተ-ክርስቶስ መደባትን ድማ፡ ንስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዚቐርብ ኣምልኾትን ኣኽብሮትን ዝመንፈሱ ኪኸውን የድሊ። 2472 427

**2146** እቲ ካልኣይ ትእዛዝ፣ ንስም-ኣምላኽ ብሕማቕን ኣብ ሕማቕን ከይነልዕሎ/ከይንጥቀመሉ ይኽልክለና፤ እዚ ማለት ከኣ ናይ ስም እግዚኣብሔር፣ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ናይ ድንግል ማርያምን፡ ናይ ቅዱሳንን ዘይግቡእን ዘይብቑዕን ኣሰያይማ እዩ።

---

[74] ዘካ 2፡13፣መዝ 29፡2፣96፡2፣113፡1-2 ረአ

[75] ካርዲናል ሄንሪ ኒዩማን Parochial and Plain Sermons V, 2 (London፡ Longmans, Green and Co , 1907) 21-22

[76] ማቴ 10፡32፣1 ጢሞ 6፡12 ረአ

**2147** ብስም-እግዚኣብሔር ን'ኻልኡት ዝተኣትወ ቃል-መብጽዓ፡ ንመለኮታዊ
2101 ክብርን፡ ተኣማንነትን፣ ሓቅነትን ሥልጣንን ዚትንክፍ እዩ። ብርትዕን ፍትሕን ኪሕሎ ይግባእ። ነዚ ቃል-መብፅዓ'ዚ እሙን ኮይንካ ዘይምርካብ፣ ንስም-እግዚኣብሔር ኣብ ዘይመዓላኡ ምውዓል፣ ብገሊኡ መዳይ ድማ ንኣምላኽ ሓሳዊ ምግባር እዩ።[77]

**2148** ቃለ-ጽርፈት (ውርደት blasphemy) ብቐጥታ ነቲ ካልኣይ ትእዛዝ ዚፃረር እዩ። ብኣፍካ ኮነ ብልብ'ኻ ተጻይ ኣምላኽ ዚዝረብ ቃላት-ጽልኢ፣ ጸርፊ፣ ምንዋር፣ ብዛዕባ ኣምላኽ ሕማቕ ምዝራብ፣ ብቃላትካን ብኣፍካን ነኣኡ ዚግባእ ክብሪ ዘይምሃብ፣ ንስም-እግዚኣብሔር ብሕማቕን ክፉእን ንትጥቀመሉ (...ኩሉ) የጠቓልል። ቅዱስ ያዕቆብ ነቶም "ንዝተሰምዩሉ ክቡር ስም (ናይ ኢየሱስ) ዚጸርፉ"[78] ይዅንኖም። እዚ ናይ ቃለ-ጽርፈት እገዳ፡ ክሳብ'ቲ ተጻይ ቤተክርስትያን-ክርስቶስን፡ ቅዱሳንን፡ መንፈሳዊ ነገራትን ዚዝረብ ዘረባ ዚበጽሕ እዩ። ገበናዊ ተግባራት ንምሽፋንን፣ ንሰባት ናብ ባርነት ንምእታዎም፣ ሰባት ከምዚሣቐዩ ምግባር፣ ወይ ናብ ሞት ምብጻሖም እውን እንተዀነ ጽርፈት እዩ። ገበን ንምፍጻም ስም-እግዚኣብሔር ምጥቃም፣ ኻልኡት ንመደብ ሃይማኖት ከምዚጸልእዎን ከም ዘስካሕክሑን ይገብር።

ቃለ ጽርፈት ነቲ ንኣምላኽ ዚግባእ ክብርን ቅዱስ ስሙን ዚቃወም
1756 እዩ። ብርእሱ ዓቢይ ኃጢኣት እዩ።[79]

**2149** ብናይ ቃለ-ጽርፈት ኀሊና እንተዘይኮነ እውን እቲ ንስም-እግዚኣብሔር ኣብ ዘይመዓላኡ ዜውዕል ማሕላ፣ ንኣምላኽ ከምዘየኽብርካ ዜርኢ እዩ። እዚ ካልኣይ ትእዛዝ፡ ንመለኮታዊ ስም ከም ሓደ ጥንቈላዊ መጋበሪ ከይንጥቀመሉ'ውን ይእግድ።

> "ንዕቤት-ግርማኡ ብምኽባር ኪለዓል እንከሎ ስም-እግዚኣብሔር ዓቢይ እዩ። ንኸይትብድሎ ብጥንቃቐን፡ ብኣኽብሮትን ብፍርሃትን ኪለዓል (ኪስመ) እንከሎ ስም እግዚኣብሔር ቅዱስ እዩ"[80]።

## II. ስም እግዚኣብሔር ብኸንቱ ምልዓል

**2150** ካልኣይ ትእዛዝ፡ ብሓሶት ከይንምሕል፡ ይኽልክለና። ማሕላ ምምሓል ማለት በቲ እትብሎ ዘሎ'ኻ ንእግዚኣብሔር ምስክር ምግባሩ ማለት እዩ፤ ነቲ መለኮታዊ ሓቅነት፣ ከም ናይ ሓቅነትካ ትሕጃ ገቢርካ ምጽዋዕ እዩ። ምእንት'ዚ ማሕላ ኪበሃል እንከሎ፡ ንስም-እግዚኣብሔር ዚትንክፍን ዚግድስን እዩ።

---

[77] 1 ዮሓ 1፡10 ረአ
[78] ያዕ 2፡7
[79] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1369 ረአ
[80] ቅ.ኣጐስጢኖስ De serm. Dom. in monte 2, 5, 19፡ PL 34, 1278

“ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ፍርሑ፤ ንኣኡ ጥራሕ ኣገልግሉ፤ ብስሙ ጥራሕ ድማ መሓሉ”[81]።

**2151** ሓሳዊ ማሕላ ምውጋድ፡ ብመንፅር ኣምላኽ ዚፍጸም ግዴታ እዩ። ከም 215
መጠን ፈጣርን ጐይታን ኣምላኽ ናይ ኵሉ ሓቂ መምዘኒ (መለክዒ) እዩ። ዘረባ-
ሰብ ድማ፡ ሓቂ ብቐንዳ ምስ ዝኾነ ኣምላኽ ዚሰማማዕ፣ ወይ ከኣ ተጻይ እዩ።
ሓደ ማሕላ ከኣ፡ ሓቅነት ዘለዎን ሕጋውን እንኪኸውን፣ ነቲ ኣብ መንጎ ዘረባ-
ሰብን ሓቅነት-ኣምላኽን ዘሎ ርክብ ከድምቖ ይርከብ። ብሓሶት ዚግበር ማሕላ
ንእግዚኣብሔር ከም ናይ ሓሶት ምስክር ምቕራቡ ማለት እዩ።

**2152** ሓደ ሰብ ንምሕላዉ ሓሳብ ዘይብሉ፣ ምሒሉ ቃል ኪኣቱ ከሎ፣ ወይ 2476
ከኣ ብማሕላ ተመባፂዑ ክነሱ ምስ ዘይሕልዎ፣ ናይ ዕልወት (ክሕደት) በደል 1756
ይፍጽም። ዕልወት (ክሕደት) ብመንፅር'ቲ ጐይታ-ኩሉ ቃል ዝኾነ ኣምላኽ
ኣኽብሮት ናይ ዘይምፍጻም ዓቢይ በደል እዩ፤ ሓደ ክፉእ ግብሪ ንምፍጻም
ብማሕላ ንርእስኻ ትሕጃ ምቕራብ፡ ንቕድስና መለኮታዊ ስም ዚፃረር እዩ።

**2153** ኣብ'ቲ ኣንቀጸ-ብፅዕና ዚስመ ናይ እምባ ስብከት፣ኢየሱስ ነዚ ካልኣይ 2466
ትእዛዝ ኪገልጾ ይርከብ። “ነቶም ቀዳሞት፣ ‘ማሕላኻ ንእግዚኣብሔር ሃቦ እምበር
ብሓሶት ኣይትምሓል’ ከም ዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም፤ ኣነ ግና…ከቶ
ኣይትምሓሉ እብለኩም ኣሎኹ፤ ነገርኩምሲ ‘እወ እወ’ ወይ ‘ኣይኮነን ኣይኮነን’
ደኣ ይኹን። ካብ'ዚ እንድሕሪ በዚሑ ግና ካብ'ቲ ክፉእ እዩ።”[82] ዝኾነ ይኹን
ዓይነት ማሕላ ንኣምላኽ ዚትንክፍ ከምዝኾነ፣ በዚ ኸኣ ናይ እግዚኣብሔር
ህላዌነቱን ሓቅነቱን፡ ኣብ ኩሉ ዘረባ ኪሕሎን ኪኽበርን ከምዚግበኦ፣ ኢየሱስ
ኪምህር ይርከብ። ንእግዚኣብሔር እንክንጽውዕ እንገብሮ ጥንቃቐ ምስ'ቲ
ብመንፅር ህላዌኡ እነርእዮ ክብሪ ዝመልኦ ምስትውዓል ዝተሰማምዐ እዩ። በቲ
ኹሉ ምእንቲ ርእስና እንብሎ፣ ነቲ ህላዌኡ ክንምስክረሉ ወይ ከኣ ውርደት
ከነስዕበሉ ንኽእል።

**2154** ናይ ቤተክርስትያን ትውፊት ድማ፣ ንቅዱስ ጳውሎስ[83] ብምኽታል፣
ብዓቢይን ቅኑዕን ምኽንያት (ኣብነት፣ ኣብ ቤት ፍርዲ) ንዚፍጸም ማሕላ እቲ
ቃላት-ኢየሱስ ከምዘየልገሶ ይርዳእ። “ማሕላ፣ ማለት ንስም-እግዚኣብሔር ከም
መጠን ምስክር-ሓቂ ምጽዋዑ፣ ሓቅነትን፣ ፍርድን ፍትሕን (ርትዕን) ተኸቲልካ
እንተዘይኮይኑ ኣይግበርን”[84]።

**2155** ቍምነገር ኣብ ዘይብሉ ነገራት ከይጥቀመሉ፣ ወይ ከኣ ከም ሓቁ 1903
ዘየድልዮ ክነሱ፡ ነዚ ንዚሓትት ኣካል ወይ በዓልሥልጣን፣ ብመሠረት ኵነታት
ከም መረጋገጺ ኪውሰድ ዚከኣል ማሕላ ከይንፍጽም፣ እቲ ቅድስና መለኮታዊ

---

[81] ዘዳ 6፡13
[82] ማቴ 5፡33-34፣37፣ያዕ 5፡12 ረአ
[83] 2 ቆሮ 1፡23፣ገላ 1፡20 ረአ
[84] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1199 § 1

ስም ይኽልክለና። ሕጋዊ ብዘይኮኑ ሲቪላዊ ሰበሥልጣን ዚሕተት ማሕላ ኪንጸግ ይከኣል እዩ። ንሰብኣዊ ክብረ-ግርማ፣ ወይ ከኣ ንናይ ቤተክርስትያን ኅብረትን ሱታፌን፡ ንዚጻረር ዕላማ ኪድለ ከሎ ማሕላ ኪንጸግ ይግበኦ።

## III. ስም-ክርስትና

**2156** ምሥጢረ ጥምቀት "ብስም ኣብን ወልድን፣ መንፈስ ቅዱስን"[85]
232 ይወሃብ። ኣብ ጥምቀት ስም-እግዚኣብሔር ነቲ ሰብ ይቕድሶ፣ እቲ ክርስትያን
1267 ድማ ኣብ ቤተኽርስትያን ዚጽወዓሉ ስም ይቕበል። እዚ ድማ ናይ ሓደ ቅዱስ
ስም፣ ማለት ኣብነታዊ ብዝኾነ ሕይወት፣ ንጐይታ እሙን ናይ ዝኾነ ወደመዝሙር
ስም ኪኸውን ይኽእል። እዚ ሓላዊ ቅዱስ ናይ ፍቕሪ ኣብነት ይኸውን፣ ኣብ
ኣማልድነቱ እውን ርግጽነት ይህልወና። እዚ "ስመ (ጥምቀተ) ክርስትና"፣ ሓደ
ክርስትያናዊ ምሥጢር፣ ወይ ካልእ ክርስትያናዊ መንፈሳዊ ኃይሊ ዚገልጽ
ኪኸውን ይኽእል። "ካብ ክርስትያናዊ ስምዒትን ርድኢትን ወጻኢ ዝኾነ ስም
ከይወሃብ፣ ወለዲ ኮነ ኣቦ/ኣደ-ክርስትና፣ ከምኡ'ውን ቀሞስ ክረጋግጹ ኣለዎም"።[86]

**2157** ክርስትያን-ምእመን፣ ንዕለቱ፣ ጸሎታቱ፣ ኵሉ ተግባራቱ ብትእምርተ-
1235 መስቀል፡ "ብስም ኣብን፣ ወልድን፡ መንፈስ ቅዱስን፡ ኣሜን" ኪብል ይጅምሮ።
1668 እቲ ዝተጠምቀ ሰብ እምበኣር፣ ንዕለቱ ንኽብረ-ኣምላኽ የወፍያ፤ ከም መጠን
ውሉድ-እግዚኣብሔር-ኣቦ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ኪሰርሕ ንዘኽእሎ ናይ መድኃኔ
ዓለም ጸጋ ድማ ይምህለል። ትእምርተ መስቀል ኣብ ፈተናን ጸገማትን
የበርትዓና።

**2158** ኣምላኽ ንነፍስወከፍ ብስሙ ይጽውዖ።[87] ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ስሙ ዝተቐደሰ እዩ። እቲ ስም ናይ'ቲ ሰብ ኣይቆና እዩ። ናይ'ቲ ዋናኡ (ዚስመየሉ) ክብረ-ግርማ ዜመልክት ብምዃኑ ኪኽበር ይግበኦ።

**2159** ሓደ ሰብ ዚቕበሎ ስም፣ ንዘለዓለም ዜገልግሎ ስም እዩ። እቲ ብስም-እግዚኣብሔር ንነፍስወከፍ ዝተገብረሉ ምሥጢራውን ፍሉይን ማኅተም ወይ ምልክት ድማ፣ ኣብ መንግሥተ ሰማይ ብድምቀት ክንጸባርቕን ክብርህን እዩ። "ነቲ ዚስዕር ካብ'ቲ ሥዉር መና ክህቦ እየ፤ ብዘይካ'ቲ ዝተቐበሎስ ሓደ'ኳ ዘይፈለጦ ሓዲሽ ስም ዝተጻሕፎ ጻዕዳ እምኒ (መጽሓፍ ብርሃን) ክህቦ እየ።"[88] "ብድሕር'ዚ እቲ ገንሸል ኣብ'ቲ ጽዮን ተባሂሉ ዚጽዋዕ እምባ ደው ኢሉ ረኣኹ፡

[85] ማቴ 28፡19
[86] ሕገቀኖና፣ ቀ. 855
[87] ኢሳ 43፡1፣ዮሓ 10፡3 ረአ
[88] ራእ 2፡17

ስሙ'ን ስም-ኣቦኡን ("ስም ቅዱስ መንፈሱን") ኣብ ግምባሮም ዝተጻሕፎም ሚእትን ኣርበዓን ኣርባዕተን ሽሕ ከኣ ምስኡ ነበሩ።"[89]

## ብሓጺሩ

2160 ኦ! እግዚኣብሔር! ጐይታና! ስምካስ ኮን ኣብ ኩሉ ዓለም ክንደይ ግሩም እዩ"! (መዝ.8፡1)።

2161 ካልኣይ ትእዛዝ፡ ንስም-እግዚኣብሔር ዚግባእ ክብሪ ክንህብ ይምዕደና። ስም-እግዚኣብሔር ቅዱስ እዩ።

2162 ዘይግባእን ዘይብቑዕን ብዝኾነ ኣገባብ ንስም-እግዚኣብሔር ከይነልዕሎ እቲ ካልኣይ ትእዛዝ ይኽልክለና። ንስም-እግዚኣብሔር ኮነ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ናይ ድንግል ማርያም ከምኡ'ውን ንስም ቅዱሳን ብጽዩፍ መንገዲ ምልዓል ቃለ-ጽርፈት እዩ።

2163 ናይ ሓሶት ማሕላ፡ ንእግዚኣብሔር፡ ናይ ሓሶት ምስክር ኪኾኖ ዚጽውዕ እዩ። ዕልወት (ክሕደት) ተጻይ'ቲ ወትሩ ቃሉ ዚሕሉ እግዚኣብሔር ዚፍጸም ዓቢይ ኃጢኣት እዩ።

2164 "ብሓቅን ኣብ ግድነትን (ኣድላዪ ምስ ዚኸውን) ብኣኽብሮትን እንተዘይኮይኑ፡ ብፈጣሪ ይኹን ብዝኾነ ፍጡር ፈጺምኩም ኣይትምሓሉ"። (ቅ.እግናጽዮስ ዘሎዮላ፡ Spiritual Exer.38)

2165 እቲ ክርስትያን ብግዜ ጥምቀቱ ኣብ ቤተክርስትያን ዚጽወዓሉ ስም ይቕበል። ክርስትያናዊ ስም ንኺወሃቦ፣ ወለዲ ኮኑ ኣቦ/ኣደ-ክርስትና ከምኡ'ውን ቀሞስ ኪግደሱ ይግባእ። እቲ (ብስሙ ዚጽወዓሉ) ሓላዊኡ ቅዱስ ናይ ፍቕሪ ኣብነትን፡ ናይ ጸሎቱ ኣማልድነትን የረጋግጸሉ።

2166 እቲ ክርስትያን ምእመን፡ ጸሎቱን ተግባራቱን "ብስም ኣብን ወልድን፡ መንፈስ ቅዱስን፣ ኣሜን" ኪብል ብትእምርተ መስቀል ይጅምሮ።

2167 እግዚኣብሔር ንነፍስወከፍ ብስሙ ይጽውዖ። (ኢሳ.43፡1 ረኣ)

[89] ራእ 14፡1

# ኣንቀጽ 3
# ሣልሳይ ትእዛዝ

"ንመዓልቲ ሰንበት ቅድስቲ ገቢርካ ክትሕልዋ ዘክር፡ ሹድሽተ መዓልቲ ዕየ፤ ተግባርካ ኩሉ ግበር። እታ ሻብዓይቲ መዓልቲ ግና ናተይ ናይ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ሰንበት እያ።.....ከቶ ዕዮ ኣይትዕየዩ።"[90]

"ሰንበት እያ ምእንቲ ሰብ ዝተሠርዐት'ምበር ሰብ ምእንቲ ሰንበት ኣይተፈጥረን፣ እምበኣርከስ ወድሰብ ጐይታ ሰንበት እዩ"[91]።

## 345-348 I. ዕለተ ሰንበት

**2168** ናይ ዓሠርቱ ቃላት ሣልሳይ ትእዛዝ፣ ናይ ዕለተ ሰንበት ቅድስና የዘኻኽር፡- "ሻብዓይቲ መዓልቲ ግና፡ ንእግዚኣብሔር ዝተቐደሰት ሰንበት-ዕረፍቲ እያ"።[92]

**2169** ቅዱስ መጽሓፍ ብዛዕባ ሰንበት ኪዛረብ እንከሎ ንፍጥረት-ዓለም
2057 ከዘኻኽር ይርከብ፡- "ብሹድሽተ መዓልቲ፡ እግዚኣብሔር ንሰማይን ምድርን፡ ኣብኣቶም ዘሎ ኹሉን ፈጠረ፤ ብሻብዓይቲ መዓልቲ ከኣ ኣዕረፈ፤ ስለ'ዚ እግዚኣብሔር ንዕለተ ሰንበት ባረኻን ቀደሳን"።[93]

**2170** ከምኡ'ውን ቅዱስ መጽሓፍ ኣብ'ዛ ዕለተ-እግዚእ (መዓልቲ ጐይታ) እስራኤል ካብ ባርነት-ግብጺ ሓርነት ምውፃኡ ዝኽሩ ኪገልጽ ይርከብ፡- "ንስኻ ድማ ኣብ ሃገር ግብጺ ባርያ ከምዝነበርካ፣ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ከኣ ብጽንዕቲ ኢድን ኃያል ቅልጽምን ካብኣ ከምዘውፃእኩኻ ዘክር፣ ስለ'ዚ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዕለተ ሰንበት ክትሕሉ ኣዘዝኩኻ"።[94]

**2171** እግዚኣብሔር ንእስራኤል ሰንበት ብሕድሪ ኪህቦ ከሎ ናይ'ቲ ዘይልወጥ (ዘይዕጸፍ) ኪዳን ምልክት (ትእምርት) ገቢሩ ንኺሕልዋ ነበረ።[95] ዕለተ ሰንበት ንእግዚኣብሔር ዝተቐደሰትን ንውዳሴ-ኣምላኽን ንስራሕ-ፍጥረቱን፡ ነቲ ምእንቲ እስራኤል ዝፈጸሞ መድኃኒ ዝኾነ ተግባራቱን ዝተወፈየት እያ።

**2172** ስራሕ-ኣምላኽ ናይ ሰብኣዊ ተግባራት ኣርኣያ ወይ ኣብነት እዩ። በታ
2184 ሻብዓይቲ መዓልቲ ኣምላኽ "እንተደኣ ኣዕሪፉ"፣ ሰብ'ውን ከምኡ "ከዕርፍ" ይግበኦ፤ ካልኦት'ውን፡ ብፍላይ ድማ ድኻታት ከምዘዕርፉ "ከምዚሕደሱ" ኪገብሩ

---

[90] ዘፀ 20፡8-10፣ዘዳ 5፡12-15 ረአ
[91] ማር 2፡27-28
[92] ዘፀ 31፡15
[93] ዘፀ 20፡11
[94] ዘዳ 5፡15
[95] ዘፀ 31፡16 ረአ

ኣለዎም።[96] ዕለተ ሰንበት እምበኣር፡ ነናይ ዕለቱ ስራሓት ኣቋሪጻ፣ ቍሩብ ዕረፍቲ (እፎይታ) እትህብ እያ። ንናይ ስራሕ ባርነትን፣ ናይ ገንዘብ ኣምልኾትን ምልክት ተቓውሞ ዝኾነት ዕለት'ውን እያ።[97]

2173 ኢየሱስ፡ ንሥርዓተ-ሰንበት ጥሒሱ ተባሂሉ ንዝተኸሰሰሉ ዚርኢ፡ ወንጌል ዜዘንትወልና ኃያሎ ክዋኔታት ኣሎ። እንተኾነ ኢየሱስ ንቅድስና እዛ ዕለት'ዚኣ ካብ ምኽባር ዓዲ ኣይወዓለን።[98] "ሰንበት እያ ምእንቲ ሰብ ዝተሠርዐት እምበር፣ ሰብ ምእንቲ ሰብ ኣይተፈጥረን"[99] ብምባል ነዚ ሕግ'ዚ እቲ ዋናን ኡነተይናን ትርጓሜኡ ኪህቦ ተረኺበ። ሰንበት ዝተሠርዐት ሠናይ ንምግባር ደኣ'ምበር ንምጕዳእ ከምዘይኮነት፣ ሕይወት ንምድሓን ደኣ'ምበር ንምቕታል ከምዘይኮነት፣ ክርስቶስ ርኅራኄ ብዝመልኦ ኣገባብ ኣወጀ።[100] ሰንበት እምበኣር፡ ናይ'ቲ "ኣቡሃ ለምሕረት" ማለት ናይ ኣቦ-ምሕረት ዕለት፣ ንኣምላኽ ክተኽብረላ ዝተመደበት ዕለት እያ።[101] "ወድሰብ ጐይታ ሰንበት እዩ"[102]። 582

# II. ዕለተ እግዚእነ (መዓልቲ ጐይታ)

እታ እግዚኣብሔር ዝገበራ መዓልቲ-ዓወት እዚኣ እያ፤ በኣኣ ንተሓጐስን ባህ ይበለናን።[103]

## ዕለተ ትንሣኤ፡ ሓዲሽ ፍጥረት

2174 "በታ ቀዳመይቲ ናይ ሰሙን መዓልቲ"[104] ኢየሱስ ካብ ሙታን ተንሢኡ። እታ "ቀዳመይቲ ዕለት" ብምኳና፣ እዛ ዕለተ-ትንሣኤ-ክርስቶስ፡ ነቲ 638
ቀዳማይ ፍጥረት ተዘኻኽር። ንሰንበት-ቀዳሚት ተኸቲላ[105] እትመጽእ "ሻምነይቲ 349
ዕለት" ስለዝኾነት ነቲ ብናይ ክርስቶስ ትንሣኤ ዝተሰናደወ ሓዲስ ፍጥረት ከተመልክት ትርከብ። ንኽርስትያን እንተደኣኮይኑ ካብ ኩለን ዕለታት ዝቐደመት፣ ካብ ኩለን በዓላት ዝለዓለት፣ ዕለት-ጐይታ ("ግሪኽ" *ሄ ኩሪያከ ሄመራ፤ "ላቲን" ዲየስ ዶሚኒካ)* እሑድ-ሰንበት እያ፡-

[96] *ዘፀ* 31፡17፣23፡12 *ረአ*
[97] *ነህ* 13፡15-22፣2 *ዜና* 36፡21 *ረአ*
[98] *ማር* 1፡21፣*ዮሓ* 9፡16 *ረአ*
[99] *ማር* 2፡27
[100] *ማር* 3፡4*ረአ*
[101] *ማቴ* 12፡5፣*ዮሓ* 7፡23 *ረአ*
[102] *ማር* 2፡28
[103] *መዝ* 118፡24
[104] *ማቴ* 28፡1፣*ማር* 16፡2፣*ሉቃ* 24፡1፣*ዮሓ* 20፡1 *ረአ*
[105] *ማር* 16፡1፣*ማቴ* 28፡1 *ረአ*

"በታ ዕለተ-ፀሓይ ኵልና ንተኣኻኸብ። ምኽንያቱ ከኣ፣ (ብመሠረት ሰንበተ-ኣይሁድ፡ ፋልመይቲ ዕለት ብምዃና) ቀዳመይቲ ዕለት እያ። በታ ዕለት'ቲኣ እግዚኣብሔር ንግዙፍ ነገር ካብ ጸልማት እንኪፈላሊ፣ ሽዑ ንዓለም ፈጠረ። ኢየሱስ ክርስቶስ መድኃኒና ካብ ሙታን ዝተንሥአ ድማ በዛ ዕለት'ዚኣ እዩ።"[106]

# እሑድ ሰንበት፣ ናይ ቀዳሚት ሰንበት ተፍጻሜት

**2175** እሑድ-ሰንበት (ሰንበተ ክርስትና)፣ ግዜኣ ብምሕላው ሰሙን ሰሙን
1166 ካብ እትመጽእ ሰንበት ኣዝያ ዝተፈልየት እያ። ንክርስትያን፣ እቲ ግዳማዊ ሓለዋን ወግዓዊ ተግባራትን ነቲ ናይ ቀዳሚት-ሰንበት ኪትክኦ ይርከብ። ኣብ ናይ ክርስቶስ ፋሲካ፣ ሰንበት ማለት ንናይ ሰንበተ-ኣይሁድ መንፈሳዊ ሓቅታት (ቍምነገራት) ተጠቓልል፣ ሰብ ኣብ ኣምላኽ ንዚረኽቦ ዘለዓለማዊ ዕረፍቲ ከኣ ተበሥር። እቲ ኣብ ትሕቲ ሕጊ(ኦሪት) ዚግበር ዝነበረ ኣምልኾ (ስግደት) ናብ ምሥጢረ ክርስቶስ ዜሰናዱ ስለዝነበረ፣ እቲ ኣብኡ ዚፍጸም ዝነበረ ኩሉ ንገሊኡ ወገናት-ክርስቶስ ዘመልክት (በምሳል) ነበረ፡[107]

እቶም ብልማድ ጥንታዊ ሥርዓት ዚነብሩ ዝነበሩ፣ ካብ ሕጂ ንደሓር፣ ነታ በኣኡን ብሞቱን ሕይወትና ዝተባረኸትላ ዕለተ-እግዚእነ ደኣ'ምበር፣ ቀዳሚት-ሰንበት ዘየኽብሩ ናብ'ታ ሓዳስ ተስፋ ዝተሳገሩ እዮም።[108]

**2176** ሰንበት ምብዓል፣ ብባሕርያዊ ኣገባብ ኣብ ልቢ-ወድሰብ ተሰቍሩ ብዘሎ ሞራላዊ ትእዛዝ ተኸቲልካ ንኣምላኽ ኣፍኣውን ርኡይን፡ ግልጽን ሥሩዕን ዝኾነ ኣምልኾ ብምቕራብ ይፍጸም። እዚ ድማ ናይ'ቲ ብወገን ኣምላኽ "ንኵሉ ናይ ዘለዎ ሓፈሻዊ ገባሬ-ሠናይነት ምልክት" እዩ።[109] ኣብ'ቲ ሰሙናዊ ኣበዓዕላኡ፡ ናይ'ቲ ፈጣርን መድኃኒ ሕዝቡን ሥሩዕ መደብን መንፈሱን ብምልባስ፣ ብሰንበት ዚካየድ ኣምልኾት፡ ነቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ሞራላዊ ትእዛዝ ይፍጽም።

# ናይ ሰንበት መሥዋዕተ ቅዳሴ

**2177** እቲ ብሰንበት ዚፍጸም፡ በዓል ዕለተ-እግዚእነ ኮነ፡ መሥዋዕተ ቅዳሴኡ
1167 ናይ ሕይወት-ቤተክርስትያን ልቢ እዩ። "ሰንበት እምበኣር፣ ብመሠረት ሓዋርያዊ ትውፊት፡ ፋሲካዊ ምሥጢር እትኽብረሉ ዕለት እያ። ስለ'ዚ ኸኣ ቀዳምነት

---

[106] ቅ.ዩስጢኖስ I Apol. 67፡ PG 6, 429 and 432.
[107] 1 ቆሮ 10፡11 ረአ
[108] ቅ.እግናጽዮስ ዘኣንጾኪያ Ad Magn. 9, 1፡ SCh 10, 88.
[109] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II 122, 4

ዚወሃባ፣ ብግዴታ እትበዓል ዕለት ኮይና ኣብ'ታ ዅላዊት ቤተክርስትያን ክትሕሎ ይግባእ"።[110]

"ከምኡ'ውን ኪበዓል ዘለዎ፣ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዕለተ ልደቱ፣ 2043
ኣስተርእዮቱ፣ ዕርገቱ፤ በዓል ሥጋሁ ወደሙ፣ በዓለ ማርያም ወላዲተ ኣምላክ፣ ንጽሕቲ ጽንሰታ፣ ልደታ፣ ፍልሰታ፣ በዓለ ቅዱስ ዮሴፍ፣ በዓለ ቅዱሳን ጴጥሮስን ጳውሎስን፣ በዓለ ማኅበረ በዅር (ዅሎም ቅዱሳን) ኣሎ።"[111]

**2178** እዚ ናይ ክርስትያናዊ ኣኼባ ኣገባብ ካብ ፈለማ እዋን ዘመነ 1343
ሓዋርያት ዝጸንሐ እዩ።[112] መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን ድማ:- "ከም'ቲ ገሊኣቶም ልማድ ገቢሮምዎ ዘለዉ፤ ብሓደ ምእካብ ኣይነቋርጽ፣ እኳ ደኣ ከም'ዚ እትርእይዎ ዘሎኹም እታ መዓልቲ ትቐርብ ስለዘላ፣ ብዝበለጸ ነንሓድሓድና ንበራታዕ"[113] እናበለ ነቶም ምእመናን የዘኻኽሮም።

> *ትውፊት ድማ፡ ወትሩ ሓደ እዋናዊ ዝኾነ መተሓሳሰቢ ኣጽኒሑልና ኣሎ። ኣንጊህኩም ንቤተክርስትያን ምጽኡ፤ ናብ እግዚኣብሔር ቅረቡ፤ ኃጣውእኩም ተናዘዙ፤ ብጸሎት ተነሥሑ።....ኣብ'ቲ መንፈሳውን (ዝተቐደሰ) መለኮታውን ግብረ-ኣምልኾ ተሳተፉ፣ ነቲ ጸሎታት ብዚግባእ ደኣ ጨርሽዎ'ምበር፣ ቅድሚ ምዝዛሙ (ምፍናው) ኣይትኺዱ....."እዛ ዕለት'ዚኣ ንጸሎትን ንዕረፍትን ተባሂላ ነኣኻትኩም ተዋሂባ እያ። እዛ ዕለት'ዚኣ እታ እግዚኣብሔር ዝገበራ ዕለት እያ፣ በኣኣ ንተሓጐስን ባህ ይበለናን"።[114]*

**2179** "ቍምስና ኪበሃል ከሎ፣ ኣብ ሓንቲ ፍልይቲ ቤተክርስትያን ዝተመደበ፡ 1567
ኣብ ሓደ ጽኑዕን ድልዱልን መሠረት ዝተተኽለ ናይ ክርስትያን ምእመናን 2691
ዝተወሰነ ማኅበር እዩ። ናይ'ዛ ቍምስና ሓዋርያዊ (ጕስነታዊ) ኀልዮት ድማ፣ 2226
ከም ጓሳኣ ኮይኑ፡ ኣብ ትሕቲ ሥልጣን ሰበኻዊ ኣቡን ንዚሰርሕ ቆሞስ ሕድሪ ዝተዋህበ እዩ።"[115] ዅሎም ምእመናን ሓቢሮም ናይ ሰንበት መሥዋዕተ ቅዳሴ ንምፍጻም ዚእከቡላ ቦታ እያ። ቍምስና እምበኣር ንሕዝበ ክርስትያን ኣብ'ቲ ልሙድ መግለጺ ግብረኣምልኾኣዊ ሕይወት ተጀማምሮምን ተተኣታትዎምን፤ ኣብ'ዚ ሥርዓት'ዚ ትእክቦም፣ እቲ ዜድሕን ትምህርቲ-ክርስቶስ ትምህር፤ በቲ ሠናይ ተግባራትን ኀውነታዊ ፍቕርን ከኣ ንዘለዋ ናይ ጐይታ ፍቕሪ ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ትርክብ፡-

> *ኣብ ገዛ ከም'ቲ ኣብ ቤተክርስትያን ዚግበር ክትጽሊ ኣይትኽእልን። ኣብ ቤተክርስትያን ብዝሒ-ሕዝቢ ኣሎ፤ ኣብኡ ልክዕ ከም ሓደ ልቢ፡ ናብ እግዚኣብሔር ይጭርሑ፤ ኣብኡ ካልእ ሕልፊ'ውን ኣሎ:- ናይ ሓሳባት*

---

[110] *ሕገቀኖና*፣ *ቀ*. 1246 § 1

[111] *ሕገቀኖና፣ ቀ*. 1246 § 2፡ "*ኣቐዲሙ ብቅድስቲ ሓዋርያዊት መንበር ብዝተዋህበ ፍቓድ መሠረት ነናይ ወገኑ ጉባኤጳጳሳት፡ ንገሊኡ እዙዝ በዓላት ከትርፎ ወይ ከኣ ናብ ሰንበት ከመሓላልፎ ይከኣል።*

[112] *ግ.ሓ* 2፡42-46፣1 *ቆሮ* 11፡17 *ረአ*

[113] *ዕብ* 10፡25

[114] Sermo de die dominica 2 et 6፡ PG 86/1, 416C and 421C.

[115] *ሕገቀኖና*፣ *ቀ*. 515 § 1

ሓድነት፣ ናይ ነፍሳት ስኒት፣ ናይ ፍቕሪ ማእሰር፣ ናይ ካህናት ጸሎታት ኣሎ።[116]

## ትእዛዝ-ሰንበት

**2180** "ብሰናብትን፣ ብካልእ ዝተቐደሰ እዙዝ በዓላትን፡ ምእመናን ኣብ
2042 መሥዋዕተ ቅዳሴ ኪሳተፉ ግዱዳት እዮም"።[117] እዚ ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ
1389 ንምስታፍ ዘገድድ መምርሒ (ትእዛዝ) ዚፍጸም ከኣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ብመደብ ካቶሊካዊ ሥርዓት-ኣምልኾ በቲ ዕለቱ፣ ወይ ከኣ ኣብ ዋዜማኡ (ድሮ) ኣብ ዚግበር መሥዋዕተ ቅዳሴ ብምስታፍ እዩ።"[118]

**2181** ናይ ዕለተ ሰንበት መሥዋዕተ ቅዳሴ ንኹሉ ክርስትያናዊ ተግባራት፡ መሠረትን ጽንዓትን ርግኣትን ዚህቦ እዩ። ምእንተ'ዚ ከኣ ብዓቢይን ብቑዕን ምኽንያት (ከም ሕማም፣ ክንክን ሕፃናት)፣ ወይ ከኣ ብቆሞሶም ተፈቒዱሎም[119] እንተዘይኮይኑ፣ በቲ እዙዝ በዓላት ምእመናን ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ ኪሳተፉ ወይ ከቐድሱ ይግደዱ። ደይመደይ ኢሎም ነዚ ግዴታ'ዚ ካብ ምፍጻም ዚጐድሉ ዓቢይ ኃጢኣት ይፍጽሙ።

**2182** ኣብ'ቲ ናይ ሰንበት ማኅበራዊ መሥዋዕተ ቅዳሴ ምስታፍ ማለት፣
815 ናይ ክርስቶስን ናይ ቤተክርስትያንን ምኽንካን፣ ንክርስቶስን ንቤተክርስትያኑን እሙን ምኽንካ ዜመስክር እዩ። በዚ ድማ ምእመናን ነቲ ናይ እምነትን ፍቕርን ሱታፌኦም (ኅብረቶም) ይምስክሩ። ምስ'ዚ ማዕረ ማዕረ'ውን ናይ ቅድስና-ኣምላኽን፡ ናይ ተስፉ-ድኅነቶምን መሰኻኽር ይኾኑ። ኣብ ትሕቲ መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ድማ ንሓድሕዶም ይበራትዑ።

**2183** "መንፈሳዊ ኣገልጋሊ ማለት ካህን ኣብ ዘይብሉ፣ ወይ ከኣ ብኻልእ ከቢድ ምኽንያት ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ ምስታፍ ኣብ ዘይተኻእለሉ፣ ምእመናን ኣብ ሥርዓተ ቅዳሴ (ንባባት ቃል-ኣምላኽን ስብከትን) ኪሳተፉ ፍሉይ ምሕጽንታ ይቐርበሎም፤ እዚ ግን ኣብ'ታ ናይ ቍምስና ቤተክርስትያን፣ ወይ ከኣ ብመሠረት መምርሒ ሰበኻዊ ኣቡን ኣብ ካልእ መንፈሳዊ ቦታ ዚፍጸም እንተኾነ እዩ። ወይ ከኣ ዕድል ከምዝረኸቡ መጠን ብጕጅለ ወይ ብስድራቤታት ኮይኖም ተመጣጣኒ ንዝኾነ ግዜ፣ ብውልቂ ወይ ብስድራ ኣብ ጸሎት ኪጽመዱ ይኽእሉ።"[120]

---

[116] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ De incomprehensibili 3, 6፡ PG 48, 725.

[117] ሕገቀኖና፣ ቀ 1247
[118] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1248 § 1
[119] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1245 ረአ
[120] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1248 § 2

## ናይ ጸጋ ዕለትን፣ ካብ ስራሕ ዕረፍትን

**2184** ልክዕ ከም'ቲ ኣምላኽ "ብሻብዓይቲ መዓልቲ ካብ'ቲ ዚገብሮ ዝነበረ ኹሉ ግብሩ ዘዕረፈ"[121] ሰብኣዊት ሕይወት'ውን ናይ ስራሕን ዕረፍትን ምብርራይ ኣለዋ። ናይ ሰንበት ዕለተ-እግዚእነ ምሥራዕ፣ ነፍስወከፍ ሰብ ዚበቅዕ ዕረፍቲ ንኺህልዎን፣ ብመንፅር ስድራቤትን፡ ሕንጸተሰብን፣ ንዘለዎ ማኅበራውን መንፈሳውን ግዴታታትን ጕዳያትን ዚኣክል ግዜ ዚረኽበሉን እዩ።[122] 2172

**2185** ብሰናብትን፣ብኻልእ ዝተኣዘዘ ዕለተ-በዓላትን፣ንኣምልኾ-እግዚኣብሔር ካብ ዚዕንቅጾም፣ ንዕለተ-እግዚእነ ካብ ዝተገብአ ታሕጓስ ዘትርፎም፣ ግብረ ምሕረት እንካብ ምፍጻም ዘባኹሮም፣ ኣእምሮን ግዙፍ ሥጋን (ኣካልን) ግቡእ ዕረፍቲ ከምዘይረክብ፡ እንካብ ዚገብሮም ስራሓት፣ ምእመናን ኪኽልከሉ ይግባእ።[123] ናይ ስድራቤት ጸገማትን ግድነታትን፣ ኣገዳሲ ናይ ማኅበራዊ ኣገልግሎት ጕዳያትን፡ ካብ ናይ ዕረፍቲ ሰንበት ትእዛዝ ንምብያን ብቑዕ ምኽንያት እዩ። እንተኾነ ምእመናን ኪርደኦም ዘለዎ ነገር ኣሎ፣ እዚ ብቑዕ መመኽነይታ'ዚ ንሃይማኖትን፡ ስድራቤታዊ ሕይወትን ጥዕናን ናብ ዚጐድእ ልማድ ገጹ ዚምዕብል ወይ ዘምርሕ ኣይኮነን። 2428

> *ናይ ሓቂ ፍቕሪ፡ መንፈሳዊ ዕረፍቲ (ምዝንጋዕ) ትደሊ፤ ናይ ፍቕሪ ግድነት ድማ፡ ነቲ ፍትሓውን ( መጠነይናን) ግቡእን ስራሕ ትቕበል።*[124]

**2186** ብቑዕ ናይ ዕረፍትን ምዝንጋዕን ግዜ ዝረኸቡ ክርስትያን፣ ከም'ዚ ዝበለ ግድነትን መሰላትን ዘለዎም ክነሶም ብሰንኪ ድኽነትን ስእነትን ካብ ስራሕ ከዕርፉ ንዘይከኣሉ ኣኅዋቶም ኪዝክርዎምን ኪሓስቡዎምን ይግባእ። ብጥንትን ብትውፊትን ከምዝጸንሐ ክርስትያናዊ መንፈሳውነት ንዕለተ ሰንበት፡ ንግብረ-ሠናያትን፣ ብትሕትና፡ ንዚፍጸም ኣገልግሎት-ሕሙማትን ምግዱራትን ሽማግለታትን ከወፍያ ተረኺበ። ከም'ኡ'ውን ክርስትያን ነቲ ብኻልእ መዓልታት ሰሙን ንምፍጻሙ ጽንኩር ዝኾነ ኹሉ ብምፍጻም፣ ግዜኦምን ኃልዮኦምን ንስድራቤቶም ብምውፋይ ንዕለተ ሰንበት ኪቕድስዋ ይርከቡ። ሰንበት እምበኣር፡ ብስቕታን ብጸሎትን ናብ ርእስኻ ኣቲኻ እትሓስበላ፣ሓሳባት ልብኻ እትኵስኵሰላ፣ ንዕቤት ውሽጣዊ ክርስትያናዊ ሕይወት ዚሕግዝ ኣስተንትኖ ዚግበረላ ዕለት እያ። 2447

---

[121] ዘፍ 2፡2
[122] ፍሥሓን ተስፋን GS 67 § 3 ረአ
[123] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1247 ረአ
[124] ቅ.ኣጐስጢኖስ De civ. Dei 19, 19፡ PL 41, 647

**2187** ሰናብትን መዓልታት በዓላትን ምቕዳስ ምኽባር፣ ሕቡር ጻዕሪ ዚሓትት
2289 እዩ። ነፍስወከፍ ክርስትያን እምበኣር፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዘየድሊ ሕቶን ጠለብን ከየስዕብ ይጠንቀቕ፣ ንዕለተ-እግዚእነ ንምኽባራ ዚዕንቅጾም ምኽንያት ኪኾኖም ኣይግባእን። ልሙድ ወይ ከኣ ንቡር ዝኾነ ምንቅስቓሳትን (ስፖርት፡ መዘናግዒ-ቦታ ምዝውታር...ወዘተ)፣ ማኅበራዊ ግድነታትን (ሕዝባዊ ኣገልግሎት...ወዘተ) ንገለ ሰባት ብዕለተ ሰንበት'ውን ኪሰርሑ ዘገድዶም እንተኾነ፣ ነፍስወከፍ ሰብ ግን፡ ካብ ስራሕ ናጻ ግዜ ከምዚህልዎ ኪገብር ይግበኦ። ኣብ'ቲ ሕዝባዊ ምዝንጋዓት ዚካየደሉ ወገናት፡ ሓድሓደ ግዜ ዘየድሊ ዕግርግርን ሽግርን እንከጋጥም፣ ምእመናን ብትዕግሥትን ፍቕርን ከወግድዎ ኢሎም ኪጽዕሩ ይግባእ። ምስ'ቲ ኩሉ ኤኮኖሚያዊ ጸገማት፣ ዜጋታት ናይ ዕረፍትን መለኮታዊ ስግደትን ኣምልኾትን ግዜ ምእንቲ ኪህልዎም፣ ሰበሥልጣን ከረጋግጹ ይግባእ። ወሃብቲ ስራሕ'ውን እንተኾኑ ብመንፅር ሰራሕተይናታት ተመሳሳሊ ግዴታ ኣለዎም።

**2188** ናይ ሃይማኖትን እምነትን ናጽነት፣ ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ረብሓ
2105 ንኪኽበር ኣብ ዚግበር ጻዕሪ፣ ሰናብትን ናይ ቤተክርስትያን በዓላትን ሕጋዊ ተቐባልነትን ተፈላጥነትን ምእንቲ ኪረክብ ክርስትያን ኪጽዕሩ ይግበኦም። ንኹሉ ሰብ፡ ግልጺ ዝኾነ ናይ ጸሎት ኣብነትን፡ ናይ ኣኽብሮትን ታሕጓስን ምልክት ኪኾኑ፣ ሥርዓታቶምን ልማዳቶምን ድማ ንመንፈሳዊ ሕይወት ኅብረተሰብ ብሉጽ ኣበርክቶ ከምዚህብ ከረጋግጹን ኪከላኸሉን የድሊ። ናይ ሓንቲ ሃገር ሕገ-መንግሥቲ ብዚህቦ መምርሒ ወይ ብኻልእ ምኽንያት ሰንበት ኪሰራሕ ዚድለ እንተኾነ'ውን፣ እታ ዕለትስ፡ ከም ናይ ሓርነትናን ድኅነትናን ዕለት፣ “ናብቶም ብሓጐስ ዝተጋብኡ” እትጽንብረና፣ “ኣብ ሰማያት ስሞም ዝተጻሕፈ፣ በቶም በዅሪ ዝኾኑ ናብ ዝቕመት ቤተክርስትያን”[125] እተእትወና ዕለት ምኳና ተረዲእና ከነሕልፉ ይግባእ።

---

## ብሓጺሩ

**2189** “ንዕለተ ሰንበት....ቅድስት ገቢርካ ሓልዋ” (ዘዳግ.5፡12) “ሻብዓይቲ መዓልቲ ግና ንእግዚኣብሔር ዝተቐደሰት ሰንበት-ዕረፍቲ እያ” (ዘፀ.31፡15)።

**2190** ናይ'ቲ ቀዳማይ ፍጥረት ምዝዛም እተመልክት ሰንበት (ቀዳሚት) ብናይ ክርስቶስ ትንሣኤ ንዝተጀመረን ዝተበሠረን ሓዲሽ ፍጥረት ብእተዘክር ሰንበት-እሑድ ተተኪኣ እያ።

---

[125] ዕብ 12፡22-23

**2191** **ቤተክርስትያን ንዕለተ ትንሣኤ-ክርስቶስ እተኽብሮ "በታ ሻምነይቲ መዓልቲ"፣ ብግቡእ "ዕለተ-እግዚእነ" ብዝተባህለት ሰንበት እያ።** (**ቅዱስ ጉባኤ** SC 106 **ረኣ**)

**2192** "**ዕለተ ሰንበት**…**ከም ሓንቲ ዝለዓለትን ዝተቐደሰትን እዝዝቲ ዕለት ኮይና ኣብ ቤተክርስትያን ብመላእ ክትበዓል ይግበኣ።** (**ሕገቀኖና፣** 1246§1) "**ብሰናብትን ካልእ እዙዝ በዓላትን፡ ምእመናን ከቐድሱ፣ ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ ኪሳተፉ ይግደዱ።**" (**ሕገቀኖና፣**. 1247)

**2193** "**ብሰናብትን ካልእ እዙዝ በዓላትን**….**ንኣምላኽ ዚግባእ ኣምልኾ ምቕራብ ካብ ዚኽልክል፣ ንዕለተ-እግዚእነ** (**ሰንበት**) **ብዚበቅዕ ታሕጓስ ንምኽባር ካብ ዘጸግም ነገራት፣ ወይ ከኣ ነቲ ግቡእን ብቑዕን ናይ ነፍስን ሥጋን ዕረፍቲ ካብ ዚዓግት ስራሓትን ንግዳዊ ጒዳያትን ኩሉ፡ ምእመናን ኪኽልከሉ ይግባእ**"**።** (**ሕገ ቀኖና፣** 1247)

**2194** **ሥርዓት ዕለተ-ሰንበት፣ ኵሎም ሰባት፡ "ዘለዎም ስድራቤታዊ፡ ሕንጻተሰባዊ፡ ማኅበራውን መንፈሳውን ሕይወቶም ንምኽስኳስ ዘኽእል ዚኣክል ዕረፍትን ነጻ ግዜን ንኪህልዎም"** (**ፍሥሓን ተስፋን** GS.67§3) **ኪሕግዝ እዩ።**

**2195** **ነፍስወከፍ ክርስትያን ድማ፡ ንኻልኦት ሰባት ዕለተ-እግዚእነ** (**ሰንበት**) **እንካብ ምኽባር ብዘየድሊ ጒዳያት ከየዓንቅፎም ኪጥንቀቕ ይግበኦ።**

# ምዕራፍ ክልተ

## "ንብጻይካ፡ ከም ርእስኻ ኣፍቅሮ"

ኢየሱስ ንደቀመዛሙርቱ፡ "ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም ገቢርኩም ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ" በሎም።[1]

2196 ካብ'ተን ትእዛዛት እታ ቐዳመይቲ ኣየነይቲ ምዃና ኢየሱስ ምስተሓተተ እንኪምልሽ፣ ከምዚ ዚስዕብ በለ "እታ ቐዳመይቲ እዚኣ እያ፡ ኦ! እስራኤል ስማዕ፣ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ንሱ በይኑ እግዚኣብሔር እዩ። ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ኣእምሮኻን ብኹሉ ኃይልኻን ኣፍቅሮ።" እታ ነኣኣ እትመስል ካልኣይቲ ድማ፣ ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ" እትብል እያ። ካብ'ዚኣተን ዚዓቢ ካልእ ትእዛዝ የልቦን"።[2]

ቅዱስ ጳውሎስ ሓዋርያ ድማ ብዛዕባ'ኡ ከምዚ ዚስዕብ ኪብል
2822 የዘኻኽረና፣ "ንሓድሕድኩም ምፍቃር እንተዘይኮይኑ፡ ምስ ሓደ'ኳ ዕዳ ኣየሃሉኹም። ምኽንያቱ እቲ ንብጻዩ ዘፍቅር፡ ንሕጊ ፈጺምዎ እዩ። እቲ "ኣይትዘሙ ኣይትቕተል፡ ኣይትስረቕ፡ (ብሓሶት ኣይትመስክር) ዘይገንዘብካ ኣይትመነ" ዚብል ኩሉ ካልእ ትእዛዛት'ውን ኣብ'ቲ "ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅር" ዚብል ትእዛዝ ክቱት እዩ። ፍቕሪ ንብጻያ ክፉእ ኣይትገብሮን እያ። እምበኣርሲ ፍቕሪ መፈጸምታ ሕጊ እያ።"[3]

## ኣንቀጽ 4
## ራብዓይ ትእዛዝ

ኣብ'ታ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝህበካ ምድሪ፣ ዕድሜኻ ምእንቲ ኪነውሕሲ ኣቦኻን ኣደኻን ኣኽብር።[4]

ይእዘዞም'ውን ነበረ።[5]

ናይ'ዚ "ትእዛዝ-እግዚኣብሔር"[6] ኃይሊ ባዕሉ ጐይታ ኢየሱስ ከዘኻኽር ይርከብ። ሓዋርያ'ውን እዚ ዚስዕብ ይምህር፦ "ኣቱም ውሉድ፣ ቅኑዕ እዩ'ሞ ንወለድኹም ብጐይታ ተኣዘዙዎም። ከመይ 'ምእንቲ ኪቐንዓካ፣ ኣብ ምድሪ

[1] ዮሓ 13፡34
[2] ማር 12፡29-31፣ዘዳ 6፡4-5፣ዘሌ 19፡18፣ማቴ 22፡34-40፣ሉቃ 10፡25-28 ረአ
[3] ሮሜ 13፡8-10
[4] ዘፀ 20፡12፣ዘዳ 5፡16
[5] ሉቃ 2፡51
[6] ማር 7፡8-13

ከኣ ነዊሕ ዕድመ ምእንቲ ኪህልወካ' ንዚብል ዝሓዘ ቀዳማይ ትእዛዝ እቲ "ኣቦኻን ኣደኻን ኣኽብር" ዚብል እዩ።"[7]

**2197** ራብዓይ ትእዛዝ ንናይ ዓሠርቱ ቃላት ካልኣይ ቀጸላ ዚፍልም እዩ። ንናይ ፍቕሪ መደብን ሥርዓትን የርእየና። ብድሕሪ ኣምላኽ ነቶም ሕይወት ዝሃቡናን፡ ፍልጠት-ኣምላኽ ዘመሓላለፉልናን ወለድና ከነኽብር፡ ድላይ-እግዚኣብሔር እዩ። ምእንቲ ረብሓና ኢሉ ኣምላኽ ኣብ ልዕሌና ሥልጣን ንዘልበሶም ኵሎም ዕቤትን ክብርን ክንህቦም ትሑዛት ኢና። 1897

**2198** እዚ ትእዛዝ'ዚ ኣብ ግብሪ ኪውዕል ዘለዎ፡ ብናይ ግቡእነት (ግዴታ) ኣወንታዊ ኣገባብ ይግለጽ። ብፍላይ ንሕይወት፣ ኪዳናዊ ንብረት፣ ምድራዊ ነገራትን፣ ንዘረባ ዚርኢ ተኸታታሊ ትእዛዛት የቕርብ። ናይ ቤተክርስትያን ትምህርተ-ኅብረተሰብ መሠረታት ካብ ዝኾኑ ሓደ እዩ። 2419

**2199** እዚ ራብዓይ ትእዛዝ፣ ውሉድ ብመንፅር ኣቦኦምን ኣደኦምን፣ ኪህልዎም ንዚግባእ ርክብ ዚርኢ ምኳኑ ግልጺ እዩ፣ ምኽንያቱ ከኣ፡ እዚ ርክብ'ዚ እቲ ኣዝዩ ሓፈሻውን ኵላውን እዩ።ብተመሳሳሊ'ውን ኣብ መንጎ'ቲ ዝሰፍሐ ስድራቤት ብዘሎ ምትእስሳርን ዝምድናን'ውን ዚግደስ እዩ። ብመንፅር ዝሸምገሉ ዓበይትን ቀዳሞትን ክብርን ፍቕርን ምስጋናን የሓትት። ኣብ መወዳእታ ድማ፣ ተመሃርቲ ንመምህራኖም፣ ስራሕተይናታት ንኣስራሕቶም፣ ተመራሕቲ ንመራሕቶም፣ ዜጋታት ንሃገሮምን ነቶም ነኣኣ ዘመሓድሩን ዘነባብሩን፡ ኪፍጽምዎ ናብ ዚግባእ ግዴታ ዚበጽሕ እዩ።

ወለዲ ኮኑ መምህራን፡ ኣሰልጠንቲ፣ መራሕቲ፣ ደያኑ፣ ኣመሓደርትን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ወይ ኣብ ማኅበረሰብ ሥልጣን ዝሓዙ ኵሎም፡ ዘለዎም ግዴታን ግቡእነትን፡ በዚ ትእዛዝ'ዚ ኣቐዲሙ ኣብ ግምት ዝኣተወን፣ ኣብኡ ዚጠቓለልን እዩ።

**2200** ራብዓይ ትእዛዝ ምሕላው ናቱ ሽልማት ዘውህብ እዩ፤ "ኣብ'ታ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዝህበካ ምድሪ፡ ዕድመኻ ምእንቲ ኪነውሕሲ ኣቦኻን ኣደኻን ኣኽብር።"[8] ነዚ ትእዛዝ'ዚ ምኽባርን ምሕላውን፣ ምስ'ቲ መንፈሳዊ በረኸት (ፍረ)፡ ምድራዊ ፍርያት-ሰላምን ብልፅግናን ዘምጽእ እዩ። ብተጻዩ፡ እንተዘይተሓሊዉ፡ ንማኅበረ ሰባት ኮነ ውልቀሰባት ዓቢይ ጒድኣት ዜስዕብ እዩ። 2304

[7] ኤፌ 6፡1-3፣ዘዳ 5፡16 ረአ
[8] ዘፀ 20፡12፣ዘዳ 5፡16

# I. ስድራቤት ብመደብ-ኣምላኽ

## ባሕርይ ስድራቤት

**2201** ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ኪዳናዊ ማኅበር ኣብ'ቲ ናይ ተጻመድቲ
1625 ሥምረት ዝተመሥረተ እዩ። መውስቦን ስድራቤትን ድማ፡ ዕላማኡ ረብሓ ተጻመድትን፡ ውሉድ ምፍራይን፣ ተኸናኺንካ ምዕባዮምን እዩ። ኣብ መንጎ'ቶም ተጻመድቲ ዝማዕበለ ፍቕርን፣ ናይ ውሉድ ፍረን፣ ኣብ ኣባላት'ታ ስድራቤት ጥቡቕ ርክብን መሠረታዊ ኃላፍነትን ይፈጥር።

**2202** ብመውስቦ ዝተወሃሃዱ ሰብኣይን ሰበይትን ምስ ደቆም ኃቢሮም
1882 ስድራቤት የቕውሙ። እዚ ተቕዋም'ዚ ብዝኾነ ሥሩዕ በዓልሥልጣን ተቐባልነት ምርካብ ከየድለዮ ኣቐዲሙ ዝነበረን፣ እዚ ድሒሩ ዝመጽእ ሥሩዕ በዓል ሥልጣን'ውን ንኺቕበሎ ዚግደደሉ እዩ። ናይ ስድራቤት ዝተፈላለየ መሥርዕ ርክባት ዚግምገመሉ ሥሩዕን ንቡርን መወከሲ ኮይኑ ኪግመት ኣለዎ።

**2203** ሰብኣይን ሰበይትን ኪፈጥር ከሎ፣ ኣምላኽ ንሰብኣዊት ስድራቤት
369 ሠርዐ፣ መሠረታዊ ዝኾነ ቅዋም ከኣ ዓደላ። ኣባላታ ድማ ብክብረ-ግርማ ማዕረ እዮም። ምእንቲ ረብሓ ኣባላታን፡ ኅብረተሰብን፡ ስድራቤት በብዓይነቱ ኃላፍነትን፡ መሰላትን ግቡእነትን ኪህልዋ ግዲ ኮነ።

## 1655-1658 ክርስትያናዊት ስድራቤት

**2204** "እዛ ክርስትያናዊት ስድራቤት፡ ንናይ ቤተክርስትያን ሱታፌ-ኅብረት
533 ብፍሉይ እትገልጸሉን ናብ ፍጻሜኡ እተብጽሓሉን ባሕርይ ኣለዋ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ "ስድራቤታዊት ቤተክርስትያን"[9] ተባሂላ ክትጽዋዕ ትኽእልን፡ ይግበኣን። ብእምነትን ተስፋን ፍቕርን ዝቖመት ማኅበር እያ፤ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተነጺሩ ከምዘሎ ከኣ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ፍሉይ ኣገዳስነት ትሕዝ[10]።

**2205** ክርስትያናዊት ስድራቤት፡ ናይ ሰባት ሱታፌ-ኅብረት እያ፤ በዚ ኸኣ
1702 ኣብ እግዚኣብሔር-ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ናይ ዘሎ ሱታፌ ምልክትን ምስልን እያ። ኣብ ምፍራይ ውሉድን ምዕባዮምን'ውን እንተኾነ፣ ናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ ስራሕ ፍጥረት ተንፀባርቕ። ኣብ ናይ ክርስቶስ ትሩፋት ጸሎትን መሥዋዕትን ክትሳተፍ ዝተጸወዐት እያ። ዕለታዊ ጸሎትን ናይ ቃል-ኣምላኽ ንባባትን ኣስተንትኖትን ከኣ ኣብ መደብ ፍቕሪ የጽንዓ። እዛ ክርስትያናዊት ስድራቤት ናይ ስብከተወንጌልን፡ ተልእኮን ዕማም ኣለዋ።

---

[9] ስድራቤት FC 21፣ብር.ኣሕ. LG 11 ረአ
[10] ኤፌ 5፡21-6፡ 4፣ቆላ 3፡18-21፣1 ጴጥ 3፡1-7 ረአ

**2206** ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዘሎ ርክባት፣ ናይ ምቅርራብ ስምዒትን፡ ናይ ምፍቓርን፡ ምድልላይን ምትሕልላይን መንፈስ ይፈጥር። እዚ ኸኣ ኣባላት'ቲ ቤተሰብ ነንሕድሕዶም ናይ ዘለዎም ምክብባር ውጽኢት እዩ፤ ስድራቤት እምበኣር "ተጸመድቲ ሓሳብ ሓድሕድ ዚለዋወጡሉን፡ ኣብ ሓባራዊ ውሳኔ ዚበጽሑሉን፣ ኣብ ኵስኰሳን ምዕባይ-ውሉዶም'ውን ብባህጊ ንምፍጻሙ ዚተሓባበሩሉ" ዕድል ንምጭባጥ ዝተጸወዐት "ፍሉይ ጕንያ ወይ መሰል ዝተዓደለት ማኅበር" እያ።[11]

## II. ስድራቤትን ኅብረተሰብን

**2207** ስድራቤት እታ ናይ ማኅበራዊ ሕይወት ዝነኣሰት ክፋልን መበቈልን 1880
እያ። ሰብኣይን ሰበይትን ብፍቕርን ብናይ ሕይወት ህያብን ርእሶም ከወፍዩ 372
ዝተጸውዑላ ባሕርያዊት ኅብረተሰብ እያ። ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዚርከብ 1603
ሥልጣን ጽንዓትን ቀጻልነትን፣ ናይ ርክባት ሕይወትን ንርእሱ፡ ኣብ ኅብረተሰብ ንዘሎ ናጽነትን ውሕስነትን ኅውነትን መሠረቱ እዩ። ስድራቤት ሓንቲ ማኅበር እያ፤ ኣብ'ዛ ማኅበር'ዚኣ ከኣ ሓደ ሰብ ካብ ሕፃንነቱ ኣትሒዙ ሞራላዊ ሕግታትን ቍምነገራትን ኪመሃር ይኽእል፤ ንኣምላኽ ከኽብር ይጅምር፤ ንናጽነቱ'ውን ብሥርዓት ይጥቀመላ። ስለ'ዚ ሕይወት-ስድራቤት፣ ናብ ሕይወት ኅብረተሰብ ዘተኣታቱን ዘለማምድን መባእታ እዩ።

**2208** ኣባላት ስድራቤት ብመንፅር ናእሽቱን፣ ኣረገውትን፣ ሕሙማትን፣ ስንኩላትን፣ ድኻታትን ዘለዎም ኃላፍነትን ኃልዮትን ንምፍጻም ዘኽእሎም ትምህርቲ ዚቐስምዎ፣ እታ ስድራቤት ካብ እትነብሮ ሕይወት እዩ። ገሊኡ ግዜያት፡ ነዚ ሓገዝ'ዚ ከወፍዩ ዘይክእሉ ብዙኃት ስድራቤታት ይርከቡ እዮም። ምእንት'ዚ ከኣ ዘድልዮም ንኪረኽቡ ናብ ካልኦት ሰባት፣ ካልኦት ስድራቤታት፣ ከምኡ'ውን ብመንገዲ-ሓገዝ ናብ ኅብረተሰብ ቍሊሕ ይብሉ፤ "እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር-ኣቦ ንጹሕን ርኽሰት ዘይብሉን ኣምልኾ፣ ገዛእ ርእስኻ ካብ ርኽሰት-ዓለም እናሓሎኻ፣ ንዘኽታማትን መበለታትን ኣብ ግዜ ጸበባኦም ምርዳእ እዩ"።[12]

**2209** ስድራቤት እምበኣር፡ በቲ ቅኑዕን ግቡእን ዝኾነ ማኅበራዊ ውሳኔታትን 1883
ስጕምታትን ክትሕገዝን ክትሕሎን ይግበኣ። ስድራቤታት ኃላፍነተን ምፍጻም ኣብ ዘይከኣላሉ፣ ካልኦት ናይ ኅብረተሰብ ኣካላት ኪሕግዝወንን፣ ንናይ ስድራቤት ተቅዋም ኪድግፉን ይግበኦም። እተን ዓበይቲ ማኅበረሰባት ነቲ ናይ ምድግጋፍ መንፈስን መምርሕን ብምኽታል፡ ነቲ ናይ ስድራቤት ፍሉይ መሰላት ከይግህሳን ከይክሕዳን ወይ ከኣ ኣብ ሕይወት ስድራቤት ዘይግባእ ኢድ-ምእታው ከይፍጽማ ኪጥንቀቓ ይግባእ።

[11] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 52 § 1
[12] *ያዕ* 1:27

**2210** ንናይ ኅብረተሰብ ሕይወትን ድኅነትን ኣገዳስነት-ስድራቤት ኣዝዩ ልዑል ብምዃኑ[13]፣ ኅብረተሰብ ንመደብ ሥሩዕ ኪዳንን ስድራቤትን ኪድግፍን ከበርትዕን ፍሉይ ሓላፍነት ይሽከም። እቲ ሲቪላዊ በዓል-ሥልጣን ድማ፣ “ናይ መውስቦን ስድራቤትን ኡነተይና ባሕርይ ኪቕበልን ከስተውዕልን፣ ኪሕልዎን ከማዕብሎን፣ ግልጽን ወግዓውን ሥነምግባር ከምዚሕሎ ኪገብር፣ ውሽጣዊ ብልጽግና ከማዕብል” ከቢድ ሓላፍነት ከምዘለዎ ኪግምት ይግበኦ።”[14]

**2211** እቲ ፖለቲካዊ ማኅበረሰብ እውን እንተኾነ፡ ንስድራቤት ክብሪ ኪህብ፣ ኪሕብሕብ፡ ግቡኡ እዩ፤ ብፍላይ ኣብ'ዚ ዚስዕብ መዳያት ውሕስነት የሃብ፣

- ስድራቤት ንምቛም፣ ውሉድ ንምህላውን፡ ምስ'ቲ ናይ ስድራቤት ሞራላውን መንፈሳውን (እምነታውን) ርድኢት ብዚሰማማዕ መሥመር ንምዕባዮም ናጽነት ኪህሉ፣
- ናይ ማእሰር ኪዳን ጽንዓትን ናይ ስድራቤት ተቕዋምን ከምዚሕሎ ምግባር፣
- እምነትካ ንምግላጽን፣ ንምምሕልላፉን፣ ንውሉድካ'ውን በኣኡን በቲ ኣድላዪ ዝኾነ መጋበሪታትን ተቕዋማትን ገቢርካ ምዕባይ፣
- ናይ ብሕታዊ ንብረትን፣ ናጻ ናይ ስራሕ መደብን፣ ስራሕን መዕቈቢ ቤትን ናይ ምርካብን፣ ካብ ሃገርካ ናብ ዝደለኻዮ ናይ ምኻድን ናጽነት፣
- ብመሠረት ተቕዋማት-ሃገር፣ ሕክምናዊ ክንክን ናይ ምርካብ መሰል፣ ንዝኣረጉ ሓገዝን፡ ናይ ስድራቤት ረብሓታት ምርግጋጽን፣
- ውሕስነት ምርካብን ጥዕና ምሕላውን፣ ብፍላይ ከም ሓሺሽን ዘደንዝዝ ዕፅን፣ ግብረ-ነውርን፡ ነኣኡ ዜስፍሕ መጋበሪታትን (Pornography ግልጸተ-ነውር)፣ ብኣልኮሆል ምምራዝን... ወዘተ፡ ብመንፅር ከምዚ ዝበለ ሓደጋታት ጽላልን ውሕስነትን ከምዚህሉ ምግባር፣
- ምስ ካልኦት ስድራቤታት ማኅበር ንምቛም፣ ስለ'ዚ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ሲቪል በዓል ሥልጣን ውክልና ንኺህልወካ ናጽነት።[15]

**2212** እዚ ራብዓይ ትእዛዝ፣ ንኻልእ ናይ ኅብረተሰብ ርክባትን ኵነታትን'ውን
225 ዜብርህ እዩ። ኣኅዋትናን ኣኃትናን፡ ንወለድና ደቆም እዮም፣ ደቂ ሓወቦና፣ ደቂ
1931 ኣሞና፣ ደቂ ኣኮና፡ ደቂ ሓውትኖና ካብ ዝቐደሙ ኣቦሓጎታትናን እኖሓጎታትናን
ከምዝተወልዱ ንፈልጥ፤ እቶም ዝኸማና ዜጋታት'ውን፡ ደቂ-ሃገርና ምዃኖም
እዮም፤ እቶም ዝተጠምቁ ደቂ'ታ ኣዴና ቤተክርስትያን እዮም፣ ነፍስወከፍ ሰብ
ድማ፡ ነቲ “ኣቦና” ኢልና ክንጽውዖ ንዚፈቅድ ሓደ ኣምላኽ ወዱ ወይ ጓሉ

---

[13] ፍሥሓን ተስፋን GS 47 § 1 ረአ
[14] ፍሥሓን ተስፋን GS 52 § 2
[15] ስድራቤት FC 46 ረአ

ምዃኑ ንርዳእ። በዚ ኣገባብ'ዚ ምስ ብጻይና ዚህልወና ርክባት ኩሉ ብባሕሪኡ ንውልቂ ዚርኢ እዩ። እቲ ብጻይና እንብሎ፡ ኣብ መንጎ'ቲ ሓፋሽ እኩብ ሰብ፡ ብኣኃዝ ብሕቱ ዚምዘን "ሓደ" ዘይኮነስ፣ "እከለ" ዚበሃል በቲ ፍሉጥን ርዱእን ኣካሉን መበቈሉን፡ ፍሉይ ቈላሕታን ክብርን ዚግበኦ እዩ።

2213 ሰብኣዊ ማኅበራት ብውልቀሰባት ዝቘመ እዩ። ነዚ ብጽቡቕ ምምሕዳር ማለት መሰላት ኣብ ምውሓስን፣ ግቡእነት ኣብ ምፍጻምን፣ ውዕላት ኣብ ምኽባርን ጥራሕ ተደሪቱ ዚተርፍ ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ሰራሕተይናታትን ኣስራሕትን፣ ኣብ መንጎ ኣመሓደርትን ዜጋታትን ዚህሉ ቅኑዕ ርክባት፣ ንፍትሕን ኀውነትን ዚግድስ ምስ ሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ዚሰማማዕ ባሕርያዊ ሠናይ ድልየት ዚሓትት እዩ። 1939

# III. ናይ ኣባላት ስድራቤት ግቡኣት

## ናይ ውሉድ ግቡእ

2214 መለኮታዊ ኣባትነት፡ ምንጪ ሰብኣዊ ኣባትነት እዩ።[16] ንወለዲ ዚወሃብ ክብሪ መሠረቱ እዚ እዩ። ውሉድ ናእሽቱ ይኹኑ ዓበይቲ፣ እቲ ነቦኦምን ነደኦምን ዘለዎም ኣኽብሮት[17]፣ ካብ'ቲ ዘወሃህዶም ማእሰር ብዝተረኽበ ባሕርያዊ ፍቕሪ ዝደልደለ እዩ። ትእዛዝ-እግዚኣብሔር ዚሓቶ እዩ።[18] 1858

2215 ንወለዲ ዚወሃብ ውሉዳዊ ኣኽብሮ ካብ ምስጋና ይፍልፍል። እዚ ምስጋና'ዚ ከኣ ናብቶም ብህያብ-ሕይወት፣ ብፍቕሮምን ተግባሮምን፣ ውሉዶም ናብ'ዚ ዓለም'ዚ ዘምጽኡን፡ ብቑመትን ብጥበብን ብጸጋን ከምዚዓብዩ ዝገበሩ ወለዲ፣ ናብ'ዚኣቶም ዝዓለመ እዩ፤ "ንወላዲኻ ብምሉእ ልብኻ ኣኽብሮ፣ ነታ ብኽንደይ ጻዕሪ ዝወለደትካ ኣዴኻ ከኣ ኣይትረስዓያ። ካብኦም ከምዝተወለድካ ዘክር፣ ምስ'ዚ ዝሃቡኻ ውህበቶም ዚመዛዘን እንታይ ሞሳ ክትመልሰሎም ትኽእል?"[19]

2216 ውሉዳዊ ኣኽብሮት ዚግለጽ በቲ ሓቀይና ልዝብነትን ተኣዝዞትን እዩ። "ወደየ! ንትእዛዝ ኣቦኻ ሓልዎ፣ ንሕጊ-ወላዲትካ ኸኣ ኣይትሕደጎ። ኽትከይድ ከሎኻ ይመርሓካ፣ ክትድቅስ ከሎኻ ይሕልወካ፣ ምስ ነቓሕካ ከኣ 532

[16] ኤፌ 3፡14 ረኣ
[17] ምሳ 1፡8፣ጦቢ 4፡3-4 ረኣ
[18] ዘፀ 20፡12 ረኣ
[19] ሢራ 7፡27-28

ይመኽረካ።”[20] “ለባም ውሉድ ተግሣጽ ኣቦኡ ይሰምዕ፣ ዕቡይ ግና መግናሕቲ ኣይቅበልን”[21]።

**2217** ሓደ ውላድ ኣብ ቤት-ወለዱ ክሳብ ዘሎ፣ ንጠቕሙ ወይ ንጠቕሚ ስድራቤት ኢሎም ወለዱ ንዚሓትዎ ዘበለ ኹሉ ኪእዘዞም ትሑዝ እዩ። “ኣቱም ውሉድ ንጐይታ ባህ ዘብሎ ንሱ እዩ’ሞ፡ ንወለድኹም ብዅሉ ተኣዘዝዎም።”[22] ከምኡ’ውን ውሉድ፡ መምህራኖም ኮኑ ወለዶም ሕድሪ ዝበልዎም፣ ኃለፍቶም ንዚህብዎም ግቡእን ብቑዕን መምርሕታት ኪእዘዙ ይግባእ። እንተኾነ ሓደ ውሉድ ነቲ ዝተዋህበ ትእዛዝ ምፍጻም፣ ብሞራል(ሥነምግባር) ዘይግባእ ምዃኑ ብኅሊናኡ ርዱእ እንተኾይኑ ኪእዘዝ ኣይተሓዝን እዩ።

እናዓበዩ ብዝኸዱ’ውን ውሉድ ንወለዶም ዚግባእ ክብሪ ምሃብ
1831 ኪቕጽልዎ የድሊ።ድልየቶምን ባህግታቶምን ኣቕዲሞም ፈሊጦም ይፈጽሙሎም፤ ነቲ ምኽሮም ሃረር ይበልዎ፤ ቅኑዕ ዝኾነ ማዕዳታቶም ከኣ ይቀበልዎ። ብመንፅር ወለዲ ዚፍጸም ተኣዝዞት፡ ከቋርጽ ዚርከብ፣ ውሉድ ካብ ወለዶም ናጻ ኮይኖም እንኪመሓደሩ እዩ፤ ኣኽብሮት ግን ከምኡ ኣይኮነን፣ ወትሩ ግዜ ንወለዲ ኪወሃቦም ኣለዎ። እዚ ኣኽብሮት’ዚ ሠራውሩ ኣብ ፍርሃት-ኣምላኽ እዩ፤ ፍርሃት - እግዚኣብሔር ከኣ ሓደ ካብ’ቲ ህያባት መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ እዩ።

**2218** እዚ ራብዓይ ትእዛዝ፣ ድሮ ንዝዓበዩ ውሉድ፡ ብመንፅር ወለዶም ንዘለዎም ኃላፍነት የዘኻኽሮም። ኣብ እዋን እርጋን ኮነ ግዜ-ሕማምን፡ ጽምዋን ጓህን፣ ዓቕሞም ብዚፈቕዶ መጠን ግዙፍ ናይ ንዋትን ገንዘብን፣ ናይ ሞራልን ደገፍ ኪገብሩሎም ይግባእ። ኢየሱስ ነዚ ሞሳን ምስጋናን ዝመልአ ተግባር የዘኻኽር።[23]

> ንወለዲ ኣብ ልዕሊ ደቆም እግዚኣብሔር ሥልጣን ሂብዎም እዩ፣ ኣደ’ውን ኣብ ልዕሊ ደቃ ሥልጣን ከምዘለዋ ተረጋጊጹ እዩ። ነቦኻ እንተ’ኽበርካ ኃጢኣትካ ይስረየልካ፣ ነደኻ እንተ’ኽበርካ ከኣ ብዙሕ ሃብቲ ትድልብ። ነቦኻ እንተ’ኽበርካ ሓደ መዓልቲ ድማ ደቕኻ ከሓጕሱኻ እዮም፤ እግዚኣብሔር ከኣ ጸሎትካ ኪሰምዕ እዩ። ነቦኻ ብምኽባርን፣ ኣደኻ ከምትሕጐስ ብምግባርን፣ ንእግዚኣብሔር እንተተኣዘዝካ፣ ዕድመኻ ነዊሕ ኪኸውን እዩ።[24]
>
> ኣታ ወደይ! ነቦኻ ምስኣረገ ተኸናኸኖ፤ ብሕይወቱ ክሳብ ዘሎ ድማ፣ ብገለ ነገር’ኳ ኣይተሕዝኖ። ኣእምሮኡ እንተ’ጥፈአ’ውን ተዓገሦ፤ ንስኻ ጥዑይን

---

[20] ምሳ 6፡20-22
[21] ምሳ 13፡1
[22] ቆላ 3፡20፣ ኤፌ 6፡1 ረአ
[23] ማር 7፡10-12 ረአ
[24] ሢራ 3፡2-6

ኃያልን ስለዝኾንካ ኣይትንዓቆ።.....እቲ ነቦኡ ዘይሕግዝ፣ ንእግዚኣብሔር ከምዝጸረፈ እዩ። እቲ ነዲኡ ዘቑጥዓ፣ ብእግዚኣብሔር ዝተረገመ እዩ።[25]

2219 ውሉዳዊ ኣኽብሮት፡ ኣብ ሕይወት ስድራቤት ስኒት የማዕብል። ኣብ መንጎ ኣኅዋትን ኣኃትን ንዘሎ ርክብ'ውን ከይተረፈ ዚግድስ እዩ። ንወለዲ ዚወሃብ ኣኽብሮት፣ነታ ቤት ብብርሃንን ሙቐትን ይመልኣ። "ንኣረገውቲ እቶም ደቅደቆም ዘውዶም እዮም"[26] "ብሓቂ ትሑታት፣ ከምኡ'ውን ለዋሃት ኩኑ፣ ንሓድሕድኩም ብፍቕሪ እናተጸዋወርኩም ከኣ ዕጉሣት ኩኑ"።[27]

2220 ብወገን ክርስትያን፣ ነቶም ህያብ እምነት ዘወፈዩሎም፡ ጸጋ-ጥምቀትን ናይ ቤተክርስትያን ሕይወትን ዘረከብዎም፣ ፍሉይ ዝኾነ ምስጋና ከምዚግበኦም ይፍለጡ። እዚኣቶም ድማ ወለዲ፣ ኣቦሓጎ-እኖሓጎ፣ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት፣ ቆሞሳት ጓሶት ነፍሳት፣ መምህራን ትምህርተ-ክርስቶስ፣ ካልኦት መምህራንን ፈተውትን ይርከብዎም። "ነታ ጥርጥር ዘይብላ ኣባኻ ዘላ እምነት እዝክራ እየ። እዛ እምነት'ዚኣ ቅድም ኣብ (ኣደ) ዓባይካ ሎይድ ነበረት። ሕጂ ኸኣ ኣባኻ ከምዘላ ኣሚነ ኣሎኹ"።[28]

## ናይ ወለዲ ግቡእ

2221 ፍርየት ኪዳናዊ ፍቕሪ፡ ሕፃናት ብምውላድ ጥራሕ ዘብቅዕ ኣይኮነን፤ ከሳብ'ቲ ሞራላዊ ትምህርቶምን መዕበያኦምን፣ መንፈሳዊ ኵስኰሳኦምን ዚበጽሕ እዩ። "ኣብ ናይ ውሉድ መዕበያን፡ ትምህርትን ናይ ወለዲ እጃም ኣዝዩ ኣገዳሲ ብምዃኑ፣ ነኣኡ ዚትክእ ምርካብ ዳርጋ ፈጺሙ ዘይከኣል እዩ"።[29] ወለዲ ደቆም ንምስትምሃርን ምዕባይን ዘለዎም መሰልን ግቡእን መሠረታውን ፈጺሙ ዘይንካእን እዩ።[30] 1653

2222 ወለዲ ድማ ንደቆም ከም ውሉድ-ኣምላኽ ኪርእዩዎም፣ ከም ሓደ ውልቀ-ሰብ (ኣካል) ዜድሊ ክብርን ግምትን ኪህብዎም የድሊ። ኣብ ሰማይ ዘሎ እግዚኣብሔር-ኣቦ ንድላዩ ተኣዘዝቲ ብምዃን ንውሉዶም ሕጊ-እግዚኣብሔር ንኺፍጽሙ ይምህርዎም። 496

2223 ደቆም ናይ ምስትምሃር ቀዳማይ ኃላፍነት ዘለዎም ወለዲ እዮም። ነዚ ኃላፍነት'ዚ ምስክርነቶም ዚህቡ ድማ ቅድሚ ኵሉ፣ ርኅራኄ ምሕረት፣ ምክብባርን ተኣማንነትን፡ ረብሓ ዘይትጽበየሉ ኣገልግሎትን ዝመነባበሪኡ ቤት (ስድራቤት) ኪሓንጹ ብምኽኣሎም እዩ። ብሰብኣዊ ኃይላት ተኹስኵስካ ንምዕባይ ቤት 1804

[25] ሢራ 3፡12-13፣ 16
[26] ምሳ 17፡6
[27] ኤፌ 4፡2
[28] 2 ጢሞ 1፡5
[29] ሥነ መዕበያ GE 3
[30] ስድራቤት FC 36 ረአ

(ስድራቤት) ምቹእ እዩ። እዚ ድማ ብርእሰ-ምናኔ፡ ብሚዛናዊ ፍርድን፣ ርእሰ-ምግታእን፡ ማለት በዚ ናይ ሓቀይና ናጽነት ቅድመ-ኵነት ዝኾነ ኹሉ ምልምማድ የሓትት። "ነቲ ግዙፍን ድፍኢታውን ወገናት ሕይወቶም፣ በቲ ውሽጣ'ውን መንፈሳውን ወገን" ምእንቲ ከግዝእዎ፣ ወለዲ ንደቆም ኪምህርዎም ይግባእ።[31] ወለዲ ንደቃቶም ጽቡቕ ኣብነት ናይ ምሃብ ከቢድ ኃላፍነት ኣለዎም። ንገዛእ ጕድለታቶም፡ ኣብ ቅድሚ ውሉዶም ብኸመይ ከምዚእመኑሉ ብምብልኃት፡ ወለዲ ንደቆም ብዝበለጸ ኪመርሕዎምን ኪእርምዎምን ይኽእሉ፡

> "እቲ ንወዱ ዘፍቅር ኣቦ፣ ምስ ዓበየ ምኽንያት ሓበኑ ምእንቲ ኪኾኖ፣ ይቐጽዖ። እቲ ንውላዱ ዚቕጽዕ ኪረብሓሉ እዩ።[32]

> "ኣቱም ኣቦታት'ውን፣ ብናይ ጐይታ ሥነስርዓትን ምኽርን ደኣ ኣዕብይዎም እምበር፣ ንደቅኹም ኣይተኹርዩዎም።[33]

**2224** ንሓደ ሰብኣዊ ፍጡር ናብ ናይ ሰባት ኅብረትን ሓድነትን፣ ናብ
1939 ማኅበራዊ ኃላፍነትን፡ ንኸተኣታትዎ መባእታ ዝኾኖ ባሕርያዊ ከባቢ ወይ ባይታ ቤት(ስድራቤት) እዩ። ንዘየሳኒ መደብ-ሕይወት ንምስምማዕ ከይፍትኑ፣ ንኅብረተሰብ ዚጐድእ ውርደተይና ዝኾነ ጽልዋታት ንኸወግዱ፣ ወለዲ ንደቆም ኪምህርዎም ይግባእ።

**2225** ብናይ ምሥጢረ ቃልኪዳን ጸጋ፣ ወለዲ ኣብ ውሉዶም ስብከተወንጌል
1656 ንምፍጻም ኃላፍነትን ፍሉይ ትዕድልትን ይቕበሉ። ወለዲ ንደቆም ኣብ'ቲ ትሑት ዕድመ ከለዉ፡ ናብ ምሥጢራት እምነት ከተኣታትዉዎም የድሊ። ከመይ ንሳቶም፡ ንደቆም ናይ'ዚ እምነት'ዚ "ቀዳሞት መበሠርቲ" እዮም። ካብ'ቲ ልምሉም ዕሽል ዕድመኦም ኣትሒዙ፣ ምስ ሕይወት ቤተክርስትያን ከተሓሕዝዎም ይጽዓሩ።[34] ምልኣት ዘለዎ ስድራቤታዊ ሕይወት፣ ውሽጣዊ መንፈሳዊ ኣተና ከማዕብል ይኽእል። እዚ ኣተና'ዚ ድማ ሕያው ንዝኾነ እምነት ሓቀይና መሰናደዊ እዩ፤ ምስኡ'ውን ኣብ መላእ ሕይወትካ ደጋፊ ኮይኑ ይነብር።

**2226** ብወላዲ ዚወሃብ ናይ እምነት ትምህርትን ዥስኰሳን፣ ኣብ ንኡስ
2179 ዕድመኡ ነቲ ሕፃን ኪጅምር ኣለዎ። እዚ ድሮ ዚፍጸመሉ ድማ፣ ብመሠረት ትምህርቲ-ወንጌል ብናይ ክርስትያናዊ ሕይወት ምስክርነት ንኺዓብዩ፡ ኣባላት ስድራቤት ንሓድሕዶም እንኪተሓጋገዙ እዩ። እቲ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዚግበር መደብ ትምህርተ-ክርስቶስ፡ ነቲ ካልእ ዓይነት ትምህርቲ እምነት፣ ይመርሑ፡ የሰንዮ፣ የሃብትሞ። ከም መጠን ደቂ-ኣምላኽ ጸዋዕታኦም ንምልላይን ምድላይን ምእንቲ ኪኽእሉ፣ ወለዲ ንውሉዶም ኪምህርዎም ተልእኮኦም እዩ።[35] ቍምስና፣

---

[31] መበል 100 ዓመት CA 36 § 2
[32] ሢራ 30፡1-2
[33] ኤፌ 6፡4
[34] ብር.ኣሕ. LG 11 § 2
[35] ብር.ኣሕ. LG 11 ረአ

ኣብ ዙርያ ቅዱስ ቍርባን ዝተጋብአት ማኅበር ኮይና፣ ናይ ክርስትያን ስድራቤታት ግብረ-ኣምልኾኣዊ ሕይወት ዓንድማእከል እያ። ስለ'ዚ ኸኣ ንቘልዑቶም ኮነ ንወለዲ መደብ ትምህርተ-ክርስትና ዚፍጸመላ ጥጥሕቲ ባይታ እያ።

**2227** ወለዲ ኣብ ጕዕዞ ቅድስና ንኺስጕሙ፡ ናይ'ዞም ውሉድ ህላዌ ኣበርክቶኡ ኣለዎ።[36] ነፍስወከፍ ኮነ ኵላቶም፡ ብዝተፈጸመ በደልን ባእስን፡ ግፍዕን ሸለልትነት-ሓድሕድን ኣብ ምምሕሓር ለጋሣትን ዘይሕለሉን ኪኾኑ ይግባእ። ሓድሕዳዊ ፍቕሪ ነዚ ኣብ ግምት የእቱ፣ ፍቕሪ ክርስቶስ ዚሓቶ'ውን እዩ።[37] 2013

**2228** ወለዲ ዘለዎም ኣኽብሮትን ፍቕርን ዚግለጽ ድማ፣ ውሉዶም ኣብ ምዕባይ ዘወፍይዎ ክንክንን፡ ቈላሕታን፣ ከምኡ'ውን ንግዙፍን መንፈሳውን ግድነቶም ብዘርእይዎ ጎልዮት እዩ። ቈልዑ ብዝዓበዩ ድማ፣ ንርእሶም ወለዲ ኮይኖም ዝቐደመ ክብርን ተወፋይነትን ተመሪሖም፣ በቲ ቅኑዕ ኣገባብ ኣእምሮኦምን ናጽነቶምን ንኺጥቀሙ ንደቆም ይምህርዎም።

**2229** ንትምህርቲ-ውሉዶም ብዚርኢ ቀዳሞት ሰብ-ኃላፍነት ብምዃኖም፣ ብመሠረት ርድኢቶም ንደቆም ዚኸውን ቤትትምህርቲ ኪመርጹሎም ወለዲ መሰል ኣለዎም። እዚ መሰል'ዚ መሠረታዊ እዩ። ወለዲ ብዚከኣሎም መጠን ኣብ'ቲ ናይ ክርስትያናዊ መዕበያን ትምህርትን ዕማሞም ብዝበለጸ ዚሕግዞም ቤት ትምህርቲ ኪመርጹ ግቡኦም (ግዴታኦም) እዩ።[38] መንግሥታዊ ሰበሥልጣን ድማ ነዚ ናይ ወለዲ መሰል ውሕስነት ኪህቡን፣ ንህላዌ'ዚ መሰል'ዚ ኣድላዪ ትሑዝ ቅድመኵነት ከረጋግጹን ግቡእነት ኣለዎም።

**2230** ቈልዑ፡ ዓቕሚ-ዕድመ ምስ በጽሑ፣ ዚሕሾም ስራሕን መደብ ሕይወትን ኪመርጹ መሰሎም እዩ። ምስ ወለዶም ብዘለዎም ምትእምማን ዝመልአ ርክብ ተደጊፎም፣ ናይ ወለዶም ምኽርን ማዕዳን እናሓተቱን እናተቐበሉን ነቲ ሓዲሽ ሓላፍነት ይለብስዎ። ንመነባበሪኦም ዚበቅዕ ሞያ ኮነ፣ ናይ ሕይወት ብጻይ/ብጸይቲ ኣብ ዚመርጽሉ ግዜ፣ ወለዲ ኣብ ልዕሊ ውሉዶም ቀጥዒ ዘይብሉ ተጽዕኖ ከይገብሩ ምጥንቃቕ የድሊ። እዚ ኣድላዪ ዝኾነ ጥንቃቐ ግን ንደቆም ሚዛናዊ ዝኾነ ምኽሪ ካብ ምሃብ፣ ብፍላይ ድማ ስድራቤት ንምቛም እንኪምድቡ ብግቡእ ካብ ምምዓድ ዚዓግቶም ኣይኮነን፤ ብተጻዩ እኳ ደኣ። 1625

**2231** ገሊኣቶም፡ ንወለዶም፡ ነኀዋቶምን ነኃቶምን ኪኣልዩ ኢሎም፣ ንሓደ ሞያ ተወፍዮም ኪሰርሑ ኪብሉ፣ ወይ ከኣ ንኻልእ ክቡር ዕላማታት ኢሎም ንመደብ ሓዳር ዘመሓላልፍዎ ወይ ዚሓድግዎ'ውን ኣለዉ። እዚኣቶም፡ ንረብሓ ዓሌት-ሰብ ዓቢይ ኣበርክቶ ኪገብሩ ይኽእሉ።

[36] ፍሥሓን ተስፋን GS 48 § 4 ረአ
[37] ማቴ 18፡21-22፣ሉቃ 17፡4 ረአ
[38] ሥነ መዕበያ GE 6 ረአ

## IV. ስድራቤትን መንግሥቲ-ኣምላኽን

**2232** ስድራቤታዊ ምትእስሳር ኣገዳሲ እዩ፤ እንተኾነ ግን ፍጹም ዘይትንከፍ
1618 እዩ ዚበሃል ኣይኮነን። ሓደ ሕፃን ናብ ብስለትን፣ ሰብኣውን መንፈሳውን ናጽነትን (ርእሰ-ምኽኣል) ከምዚዓቢ፣ ከምኡ እታ ካብ ኣምላኽ እትመጽእ ኡንኮን ፍልይትን ጸዋዕታኡ ብንጹርን ኃያልን ኣገባብ ክትድርኽ ትርከብ። ወለዲ ድማ ነዛ ጸዋዕታ'ዚኣ ከኽብሩን፣ ውሉዶም ንኺኽተልዋ ከተባብዑን ይግበኦም። ናይ ሓደ ክርስትያን ቀዳማይ ጸዋዕታኡ ንኢየሱስ ምኽታል ምዃኑ ኪርድእዎ ዘለዎም እዩ፡ "እቲ ነ'ቦኡ ወይ ነ'ዲኡ ካባይ ኣብሊጹ ዘፍቅር ነኣይ ኣይበቅዕን እዩ፤ ንወዱ ወይ ንጓሉ ካባይ ኣብሊጹ ዘፍቅር'ውን ነኣይ ኣይበቅዕን'ዩ።"[39]

**2233** ናይ ኢየሱስ ወደ-መዝሙር (ተኸታሊ) ምዃን ማለት ናይ ስድራቤት-
542 ኣምላኽ ኣባል ንምዃን፣ ምስ መደብ ሕይወቱ ብዚሰማማዕ መንገዲ ንምንባር፣ ንዝቐረበ መጸዋዕታ ምቕባል ማለት እዩ፡ "ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ዘበለ ኹሉ፡ ንሱ ኃወይን ኃውተይን ኣደይን እዩ"።[40]

ብናይ ተዓቅቦ (ድንግልና) ውፉይ ሕይወት ወይ ከኣ ብክህነታዊ ተልእኮ ንኸገልግል መጸዋዕታ-ጐይታ ዝተቐበለ ሓደ ካብ ውሉዶም እንኪህሉ፣ ወለዲ ብታሕጓስን ብምስጋናን ኪቕበልዎን፣ ዚግባእ ክብሪ ኪህብዎን ይግባእ።

## V. ሰበሥልጣን ሲቪል ኅብረተሰብ

**2234** ምእንቲ ጠቕምና ኣብ ልዕሊ ኅብረተሰብ ካብ ኣምላኽ ሥልጣን
1897 ንዝተቐበሉ ኵሎም ክነኽብሮም፡ ራብዓይ ትእዛዝ-እግዚኣብሔር የገድደና። እቶም ሥልጣን ዝለበሱ ኮኑ፡ እቶም ተገልገልቲ (በዚ ሥልጣን'ዚ) ዘለዎም ግቡኣት የነጽርን ይዝርዝርን።

### ግቡኣት ሲቪል ሰበሥልጣን

**2235** እቶም ሥልጣን ለቢሶም ዘመሓድሩ፣ ብመንፈስ ኣገልግሎት ኪፍጽምዎ
1899 ይግበኦም። "ካባኻትኩም እቲ ዓቢይ ኪኸውን ዚደሊ፡ ኣገልጋሊኹም ይኹን"።[41] ኣገባብ ሥልጣን ብመንፅር'ቲ መለኮታዊ ምንጩን፣ ልቦናዊ ባሕሪኡን ብቕዓቱን፣ በቲ ፍሉይ ዕላማታቱን፡ ብሞራላዊ መምዘኒ ይልካዕ። ንናይ ሰባት ክብረ-ግርማን ንሕጊ-ባሕርይን ዚጻረር ትእዛዝ ኮነ ሕጊ፣ ኪህብ ወይ ኪተክል ዚኽእል ሓደ'ኳ የልቦን።

---

[39] ማቴ 10፡37፣16፡25 ረአ
[40] ማቴ 12፡49
[41] ማቴ 20፡26

**2236** ኣገባብ ሥልጣኑን ዕላማኡን፣ ኩሉ ወገን ኃላፍነቱን ናጽነቱን ኣብ 2411
ግብሪ ንምውዓል ምእንቲ ኪኽእል፣ ነቲ ቅኑዕ መዓርጋዊ መሥርዕ ክብርታት (values) ግዳማዊ መግለጺ ከምዚረክብ ምግባር እዩ። ስኒትን ሰላምን ምእንቲ ኪሰፍን፤ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ድልየትን ኣበርክቶን ኣብ ግምት ብምእታው እቶም ኣብ ሥልጣን ዘለዉ፡ ፍትሒ ንኹሉ ዘባጽሑሉ ጥበብ ኪህልዎም ይግባእ። ዘውጽእዎን ዚኽተልዎን ሕግታትን ውሳኔታትን ኩሉ፣ ተጻይ ረብሓ ማኅበረ-ሰብ ዝኾነ ውልቃዊ ረብሓታቶም ንኽቐድሙ፣ ፈተና ዘለዓዕለሎም ኮይኑ ከይርከብ ብርቱዕ ጥንቃቐ ኪገብሩ ኣለዎም።[42]

**2237** ናይ ፖለቲካ ሰበሥልጣን፡ ናይ ሰባትን ውልቀሰባትን መሠረታዊ 357
መሰላት ክኽብሩን ኪሕልዉን ይግደዱ። ናይ ነፍስወከፍ ሰብ፡ ብፍላይ ድማ ናይ ስድራቤታትን ናይ'ቶም ውጹዓትን መሰላት ብምሕላው፣ ርኅራኄን ሰብኣውነትን ዝዓዘዞ ፍትሒ ከስፍሑን ኪዝርግሑን ግቡኦም እዩ።

ምስ ጉዳይ ዜግነት ዝተተሓሓዘ ፖለቲካዊ መሰላት፡ ምስ'ቲ ሓባራዊ ጠቕሚ ዚሓቶ ጠለባት ተራእዩ ኪወሃብ ይኽእል፣ ወይ ይግባእ። ብብቑዕን ሕጋውን፡ ከምኡ'ውን ብተመጣጣኒ ምኽንያት እንተዘይኮይኑ፡ ብመንግሥታዊ ሰበሥልጣን ኪኽልከል ወይ ኪንጥልጠል ኣይከኣልን እዩ። ፖለቲካዊ መሰላት ኣብ ግብሪ ዚውዕል ድማ፡ ንናይ ሃገርን ሰብኣዊ ማኅበርን ናይ ሓባር ረብሓ ተባሂሉ እዩ።

## ናይ ዜጋታት ግቡእ

**2238** ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ሥልጣን ዚመሓደሩ ኹሎም ነቶም ሰበሥልጣኖም፣ 1900
ናይ ህያባቱ መነባበርትን ኣመሓደርትን ንዝገበሮም ኣምላኽ ከምዚውክሉ ኪግምትዎም ይግባእ፤[43] "ምእንቲ እግዚኣብሔር ኢልኩም ንሰበሥልጣን ዘበሉ ኹሎም ተገዝእዎም።.... ከም ኣገልገልቲ-ኣምላኽ ብሓርነት ንበሩ'ምበር፣ ነቲ ሓርነት መጐልበቢ ክፍኣት ከምዚገብርዎ ኣይትኹኑ"።[44] ብመንፅር'ቲ ናይ ሰባት ክብረ-ግርማን ጠቕሚ ማኅበረሰብን ጕዳኢ መሲሉ ዝተራእዮም ኩሉ፣ ርትዓዊ ወቐሳኦም ንኽስምዑ ዘለዎም መሰል፣ ሓድሓደ ግዜ ድማ ግዴታ (ግቡእ)፣ ኣብ'ቲ እሙንን ቅኑዕን ተሓባባርነቶም ተጠቓሊሉ ይርከብ።

**2239** ምስ ሲቪል ሰበሥልጣን ብምኽን፡ ብመንፈስ ሓቅን፡ ፍትሕን ሓድነትን 1915
ኅብረትን፡ ናጽነትን፡ ንጠቕሚ ኅብረተሰብ ገለ ከበርክቱ ናይ ዜጋታት ግቡኦም 2310
(ግዴታኦም) እዩ። ንገዛእ ሃገርካ ምፍቃርን ምግልጋልን፡ ካብ'ቲ ናይ ሞሳን ምስጋናን ግዴታ ዚፍልፍልን፡ ኣብ መደብ ፍቕሪ ዚኣቱን እዩ። ንሕጋውን ግቡእን

[42] *መበል* 100 *ዓመት* CA 25 *ረአ*
[43] *ሮሜ* 13፡1-2 *ረአ*
[44] 1 *ጴጥ* 2፡13፣ 16

በዓልሥልጣን ተገዛኢ ምዃንን፡ ንሓባራዊ ጠቕሚ ምግልጋልን፣ ንዜጋታት ኣብ ሕይወት ፖለቲካዊ ማኅበረሰብ እጃሞም ንኸበርክቱ ዚሓቶም እዩ።

**2240** ኣብ ሥልጣን ንዘሎ ተገዛኢ ምዃንን፣ ንሓባራዊ ጠቕሚ ክትብል
2265 ምስኡ ኀቢርካ ኃላፍነት ምሽካምን፣ ዘሰዕቦ ሞራላዊ ግዴታታት ኣሎ፡- ቀረጽ
(ግብሪ) ምኽፋል፣ ኣብ ምርጫታት ናይ ምድማጽ መሰልካ ምፍጻም፣ ንሃገርካ
ምክልኻል።

> ግብሪ ንዚግበኦ ግብሪ፣ ቀረጽ ንዚግበኦ ቀረጽ፣ ፍርሃት ንዚግበኦ ፍርሃት፣ ክብሪ ንዚግበኦ ክብሪ፣ ንኹሉ እቲ ዘዚግበኦ ሃብዎ።[45]

> (ክርስትያን) ኣብ ገዛእ ሃገራቶም ዚነብሩ፡ ከም መጠን ጊያሾን ወጻእተይናታትን ኮይኖም እዮም። ከም መጠን ዜጋታት ኣብ ኩሉ ይሳተፉ፤ ከም ኣጋይሽ ድማ ንዅሉ ነገር ይጻወሩ፡..... ነዚ ዝተሠርዐ ሕግታት ይምእዘዙ፣ መደብ ሕይወቶም ግና ክንየው እቲ ሕግታት እዩ.....ኣምላኽ ነኣታቶም ዝመደቦ ክቡር/ልዑል ስለዝኾነ፡ ፈጺሞም ኪኸሕድዎ ዘይክእሉ እዩ።[46]

"ብመንፈሳውነትን ብኽብርን፣ ህዱእን ሰላማውን ዝኾነ ሕይወት
1900 ምእንቲ ክንነብር"[47] ምእንቲ ነገሥታትን ኵሎም ሰበሥልጣንን ጸሎታትን
ስብሓታትን (ምስጋና) ክነወፊ፡ ሓዋርያ ጳውሎስ ይምዕደና።

**2241** ኣብ መበቈል ዓዶም ንዝሰኣንዎ ኣገባብ ውሕስነትን፣ ናይ መነባብሮ ነገራትን ደልዮም ንዝመጽኡወን ወጻእተይናታት፣ ዓቕመን ብዘፍቅዶ መጠን ኪቕበላ እተን ሕልፊ ዝበልጸጋ ሃገራት ግዴታ ኣለወን። ንጋሻ ኣብ ዑቕባ'ቶም ተቐበልቱ ዜንብር ባሕርያዊ መሰል ዚሕሎን ዘይሕሎን፣ ዚኽብርን ዘይከብርን ምዃኑ፣ መንግሥታዊ ሰበሥልጣን ክስተውዕሉ (ከረጋግጹ) ይግበኦም።

ሰበሥልጣን ፖለቲካ፣ ምእንት'ቲ ኃላፍነት ዝለበሱሉ ሓባራዊ ጠቕሚ ኪብሉ፣ ናብ ሓንቲ ሃገር ተሰዲድካ ናይ ምእታው መሰል ብዝተፈላለየ ሕጋዊ ኵነታት ኪድርትዎ ዚከኣል እዩ፤ እዚ ኸኣ ብፍላይ እቶም መጻእቲ ብመንፅር'ታ እትቕበሎም ሃገር ንዘለዎም ግዴታ (ግቡእ) ዚርኢ እዩ። እዞም ወጻእተይናታት፡ ድማ ብመንፈስ ሞሳን ምስጋናን፡ ንናይ'ታ እትቕበሎም ሃገር ግዙፍን መንፈሳውን ውርሻ ከኽብሩን፡ ብሕግታታ ኪምእዘዙን፣ ዜግነታዊ ጾርን ኃላፍነትን ኣብ ምሽካም ኪተሓባበሩን ትሕዛት እዮም።

**2242** ሲቪል ሰበሥልጣን መምርሕታቶም፣ ንናይ ሞራላዊ ሥርዓት ኮነ፡
1903 ንናይ መሠረታዊ መሰላት-ሰብ ጠለባት ወይ ንትምህርቲ-ወንጌል ዚጻረር
2313 ምስዚኸውን ዜጋታት ከይክተልዎ ብኅሊና ትሕዛት እዮም። እቲ ትእዛዛቶም
450 ምስ ቅኑዕ ኅሊና ዚጋጮ እንኪኸውን፡ ንሲቪል ሰበሥልጣን ተኣዝዞ ምእባይ፣

---

[45] ሮሜ 13፡7
[46] Ad Diognetum 5፣ 5 and 10; 6፣ 10፡ PG 2፣ 1173 and 1176.
[47] 1 ጢሞ 2፡2

ኣብ መንጎ'ቲ ንኣምላኽ ምግልጋልን፣ ንፖለቲካዊ ማኅበረሰብ ምግልጋልን ዘሎ ፍልልይ ዝተመርኰሰ እዩ። "ናይ ቄሣር ንቄሣር፣ ናይ እግዚኣብሔር ከኣ ንእግዚ ኣብሔር ሃቡ"[48]። "ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምትእዛዝ እዩ ዚግባእ"።[49]

ሕጋዊ ክእለቱን ግቡእነቱን ብዝሰገረ መንግሥታዊ በዓልሥልጣን እንኪጭቈኑ'ውን እንተኾነ፣ ዜጋታት ምእንቲ ሓባራዊ ጠቕሚ ብጭቡጥ ንዚሕተትዎ ምሃብን ምግባርን ኣይእበዩ፤ ግና ኸኣ ኑቲ ናይ ሕጊ-ባሕርይን ሕጊ-ወንጌልን ደረታት ከይጠሓሱ፣ ምእንቲ መሰላቶምን መሰላት ዝኾምኦም ዜጋታትን ኪጣበቑ፣ ከም'ዚ ካብ ዝበለ ናይ በዓልሥልጣን ግፍዒ ኪከላኸሉ ሕጋዊ ግቡእነት ኣለዎም።[50] 1901

**2243** እዚ ስዒቡ ዚዝርዘር ኵነታት እንተዘይሃልዩ፣ ብፖለቲካዊ (በዓል) ሥልጣን ንዝወረደ ጭቈና፡ ብረታዊ(ብውግእ) ተቓውሞ ምክያድ ዘይሕጋዊ እዩ። 1) ዝተናውሐን ኣዝዩ ከቢድ ዝኾነን ምግሃስ መሠረታዊ መሰላት ከምዘሎ ርግጽ እንተኾይኑ፣ 2) ኩሉ ካልእ መጋበሪታት ተፈቲኑ ዝተጸንቀቐ ፍረ-ኣልቦ እንተኾይኑ፣ 3) እዚ ከምዚ ዝበለ ተቓውሞ (ብረታዊ ውግእ) ዝገደደ ሁከትን ዕግርግርን ዘየለዓዕል እንተኾይኑ፤ 4) ብዓወት ንምዝዛሙ ዘተኣማምን ተስፋ ምስዚህሉ፤ 5) ካልእ ዝሓሸ ፍታሕ የልቦን ዘብል ብቑዕ ምኽንያት እንተ'ሎ። 2309

## ፖለቲካዊ ማኅበረሰብን ቤተክርስትያንን

**2244** ዝኾነ ይኹን ተቕዋም ወይ ሥርዓት፣ እንተወሓደ ብውሽጠውሽጡ፡ 1910
ብዛዕባ ሰብን መወዳእታ ዕጫኡን ብዘለዎ ራእይ (ርድኢት) ዝተመርሐ እዩ። እቲ 1881
ናይ ፍርድታቱን ግምቱን፣ ናይ ነገራት ኮነ ክብርታት (values) መዓርጋቱ፣ 2109
ናይ ኣካያይዳ መሥመራቱ ኩሉ ዚምራሕ ካብ'ዚ ራእይ (ርድኢት) ብዚፍልፍል መወከሲ ወይ መምዘኒ እዩ። ዝበዝሐ ኅብረተሰብ ከኣ፡ ተቕዋማቱን ሕግታቱን ዚሠርዕ፣ ሰብ ኣብ ልዕሊ ነገራት ዘለዎ ቅድምናን ልዕልናን ብምቕባል እዩ። ናይ ወድሰብ መበቈሉን መወዳእታ ዕድሉን ፈጣርን መድኃንን ኣብ ዝኾነ ኣምላኽ ምኳኑ ብንጹር ኪቕበል ዝተረኽበ፣ እቲ ብመለኮታዊ ግልጸት ዝመጽአ ሃይማኖት ጥራሕ'ዩ። ናይ ፖለቲካ ሰበሥልጣን፡ ነቲ ፍርድታቶምን (ግምቶምን) ውሳኔታቶምን፡ ምስ'ዚ ብዛዕባ ኣምላኽን ሰብን፣ ባዕሉ ኣምላኽ ዘስተንፈሶ ሓቂ ከነጻጽርዎ፡ ቤተክርስትያን ትዕድሞም፦

ነዚ ራእይ'ዚ (ርድኢት) ዘይቅበሉ፣ ወይ ከኣ ካብ ኣምላኽ ናጻ ኢና ብዚብል ኣተና ነዚ ራእይ ዚነጽግዎ ኅብረተሰባት፣ ነቲ መምዘንን ዕላማን ኣብ ርእሶም ሃሰስ ኪብልዎ፣ ወይ ካብ ካልእ ሥነሓሳብ (Ideology) ኪልቅሕዎ ይግደዱ። ሓደ ሰብ ጽቡቕን ክፉእን ንምፍላይ ዚሕግዝ ጭቡጥ መምዘኒ ኣሎ'ኒ ኪብል ምኽኣሉ ስለዘይቅበሉ፣ ከምቲ ብታሪኽ ዝተራእየ፣ ግልጺ ወይ

---

[48] ማቴ 22፡21
[49] ግ.ሓ 5፡29
[50] ፍሥሓን ተስፋን GS 74 § 5

ከኣ ሥዉር ብዝኾነ ኣገባብ ኣብ ልዕሊ ሰብን ዕድሉን፣ ደረት ዘይብሉ ናይ ገባርን-ሓዳግን totalitarian power ዓብላሊ ሥልጣን ብዘይኣገባብ ንርእሶም ከግብትዎ ይርከቡ።[51]

**2245** ብምኽንያት ተልእኮኣን ሥልጣናን፣ ቤተክርስትያን ብዝኾነ ይኹን
912 መንገዲ፣ ምስ'ቲ ፖለቲካዊ ማኅበረሰብ ክትደባለቕ፡ ወይ ሓደ ኮይና ክትረአ ኣይግባእን። ንሳ ናይ'ቲ ልዑል ባሕርይ ወድሰብ ምልክትን ውሕስነትን እያ። "ቤተክርስትያን ንናይ ዜጋታት ፖለቲካዊ ናጽነትን ኃላፍነትን ተኸብሮን ተተባብዖን እያ"።[52]

**2246** "መሠረታዊ መሰላት-ሰብ ወይ ከኣ ድኅነት-ነፍሳት ዚሓቶ እንኪኸውን፣
2032 ንፖለቲካዊ ጒዳያት ዚርኢ'ውን እንተኾነ፡ ሞራላዊ ፍርዲ ምሃብ" ናይ ተልእኮ-
2420 ቤተክርስትያን ኣካል እዩ። "እቲ መጋበሪ፣ ማለት ንሳ ክትጥቀመሉ ዘለዋ ኡንኮ መጋበሪ ድማ፡ እቲ ምስ ወንጌል ተሳንዩ ዚኸይድን፣ ከምቲ ዝተፈላለየ ግዜያቱን ኵነታቱን ምስ ድሕንነት (welfare) ሰባት ዚሰማማዕን እዩ"።[53]

---

## ብሓጺር

**2247** "ነ'ቦኻን ነ'ደኻን ኣኽብር" (ዘዳ.5፡16፣ ማር.7፡10)

**2248** ራብዓይ ትእዛዝ ከምዚብለና፣ ብድሕሪ ኣምላኽ፡ ንወለድና፣ ከምኡ'ውን ንረብሓና ኢሉ ኣምላኽ ኣብ ልዕሌና ሥልጣን ንዘልበሶም፡ ከነኽብር፡ ድላይ እግዚኣብሔር እዩ።

**2249** ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ኪዳናዊ ማኅበር ኣብ'ቲ ናይ ተጻመድቲ ሥምረት ዝተመሥረተ እዩ። መውስቦን ስድራቤትን ድማ ዕላማኡ ረብሓ ተጻመድትን፣ ውሉድ ምፍራይን፣ ተኸናኺንካ (ብትምህርቲ) ምዕባዮምን እዩ።

**2250** "ናይ ውልቀሰብ ኮነ፣ ናይ ክልቲኡ ሰብኣውን ክርስትያናውን ኅብረተሰብ ድሕንነት (welfare)፣ ምስ'ቲ ጥዑይ ዝኾነ ሃለዋት ስድራቤትን ኪዳናዊ ሕይወትን ብጥብቂ ዝተኣሳሰረ እዩ።" (ፍሥሓን ተስፋን GS. 47 §1)

**2251** ውሉድ ንወለዶም ዚግባእ ክብርን፡ ሞሳን ምስጋናን፡ ርቱዕ ተኣዝዞትን ሓገዝን ከወፍዩሎም ይግባእ። ውሉዳዊ ኣኽብሮ፡ ኣብ ኩሉ ስድራቤታዊ ሕይወት ስኒት የማዕብል።

---

[51] መበል 100 ዓመት CA 45፣46 ረአ
[52] ፍሥሓን ተስፋን GS 76 § 3
[53] ፍሥሓን ተስፋን GS 76 § 5

2252 ውሉዶም ብእምነትን ጸሎትን፣ ብኹሉ መንፈሳዊ ኃይላትን ንኺመሃሩ፣ እቲ ቀዳማይ ኃላፍነት ናይ ወለዲ እዩ። ዓቕሞም ብዝፈቕዶ መጠን ንግዙፍን መንፈሳውን ድሌት-ውሉዶም ኪቕርቡሎምን ኪሓልዩሎምን ግቡኦም እዩ።

2253 ወለዲ ንጸዋዕታ-ውሉዶም ከኽብሩን ከተባብዑን ትሑዛት እዮም። ናይ ክርስትያን ቀዳመይቲ ጸዋዕታ፣ ንኢየሱስ ምኽታል ምዃኑ ኪዝክርዎን ኪምህርዎን ኣለዎም።

2254 መንግሥታዊ (በዓል) ሥልጣን ንመሠረታዊ መሰላት-ሰብን፣ ናጽነቱ ኣብ ግብሪ ዘውዕለሉ (ሃለዋትን) ኵነታትን ከኽብር ይግባእ።

2255 ብመንፈስ ሓቅን ፍትሕን (ርትዕን)፣ ኣብ ኅብረተሰብ ኅብረትን ናጽነትን ንምሕናጽ፣ ዜጋታት፡ ምስ'ቲ ሲቪል በዓልሥልጣን ተሓባቢሮም ኪሰርሑ ግዴታ ኣለዎም።

2256 ናይ ሲቪል ሰበሥልጣን መምርሕታት፡ ንናይ ሞራላዊ ሥርዓት ኮነ፡ ናይ መሠረታዊ መሰላት-ሰብ ጠለባት፣ ወይ ንትምህርቲ ወንጌል ዚፃረር ምስዚኸውን፣ ዜጋታት ከይኽተልዎ ብኅሊና ትሑዛት እዮም። "ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምትእዛዝ እዩ ዚግባእ" (ግ.ሓ.5፡29)።

2257 ናይ ነፍስወከፍ ኅብረተሰብ ግምትን ኣከያይዳ ጠባያትን፣ ነቲ ብዛዕባ ሰብን መወዳእታ ዕጫኡን ዘለዎ ራእይ (ርድኢት) ዘንጸባርቕ እዩ። ወንጌል ብዛዕባ ኣምላኽን ሰብን ዚህቦ ብርሃን ተቐቢሉ እንተዘይኮይኑ፣ ኅብረተሰብ ብቐሊሉ ኣብ ናይ ገበርትን ሓደግትን (totalitarian) ጭቆና ኪወድቕ ይኽእል።

## ኣንቀጽ 5
# ኃምሻይ ትእዛዝ

> *ኣይትቕተል።*[54]
>
> *ነቶም ቀዳሞት "ዝቐተለ ኪፍረዶ እዩ'ሞ፡ ኣይትቕተል" ከምዝተባህሎም ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ኣነ ግን ንኃዉ ዘቌጥዕ ዘበለ ኹሉ ኪፍረዶ እዩ… እብለኩም ኣሎኹ*[55]

**2258** "ካብ ፈለማኡ ኣትሒዙ፣ በቲ ፈጣሪ ዝኾነ ናይ ኣምላኽ ተግባሩ
356 ስለዝመጽአ፣ ከምኡ'ውን ምስ'ቲ ኡንኮ መወዳእታ ዕላማኡ ዝኾነ ፈጣሪኡ ኣብ ፍሉይ ርክብ ተጸሚዱ ዚነብር ስለዝኾነ፣ ሕይወት-ሰብ ቅዱስ እዩ። ካብ መፈለምታኡ ክሳብ መፈጸምታኡ ከኣ ናይ ሕይወት ጐይታ (ዋና) እግዚኣብሔር ንብሕቱ እዩ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ኵነታት፡ንሓደ ንጹሕ ሰብኣዊ ፍጡር ብቐጥታ ንምጥፋእ (ምቕታል) መሰል ኣሎኒ ኪብል ዚኽእል ወላ ሓደ'ኳ የልቦን።"[56]

## I. ሕይወት-ሰብ ምኽባር (ምሕላው)

## ምስክርነት ቅዱስ ታሪኽ

**2259** ብቃኤል ኃዉ ኣብ ዝተፈጸመ ዛንታ ቅትለት-ኣቤል ከምነንብቦ[57]፣
401 ካብ ፈለማ ታሪኽ ደቅሰብ ሳዕቤን ኃጢኣት-ኣዳም ንዝኾነ፣ ኣብ ሰብ ንዚርከብ ህላዌ ቍጥዓን ቅንኣትን፡ ቅዱስ መጽሓፍ ኪገልጸልና ይርከብ። ሰብ ናይ ዝኸምኡ ሰብ ጸላኢ ኮነ። ነዚ ናይ ቀቲለ-ኃው ኃጢኣት፡ እግዚኣብሔር ብኸምዚ ይገልጾ። "እንታይ ደኣ ገበርካ? ድምጺ ኃውኻ ካብ ምድሪ ናባይ ይጠርዕ ኣሎ። ሕጂ ድማ ርጉም ኩን፣ ኣብ'ዛ ንደም-ኃውኻ፡ ካብ ኢድካ ክትቅበል ኣፉ ዝኸፈተት ምድሪ፡ ከኣ ኰብላሊ ኩን።"[58]

**2260** ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ዓሌትሰብን ዝተኣትወ ኪዳን፣ እቲ ናይ ሰብኣዊት ሕይወት ህያብ-ኣምላኽን፣ ናይ ወድሰብ ቅትለታዊ ዓመጽን ዝተጠናነጎ እዩ፡-

> "ሕይወት ንዘለዎ ደምኩም ዘፍሰሰ፡ ኣነ ኽፍደዮ እየ።….እቲ ደም-ሰብ ዘፍስስ ዘበለ፣ ደሙ ብሰብ ኪፈስስ እዩ፣ ከመይ ኣምላኽ ንሰብ ብመልክዑ እዩ ፈጢርዎ"።[59]

---

[54] *ዘፀ* 20፡13፣*ዘዳ* 5፡17 *ረኣ*
[55] *ማቴ* 5፡21-22
[56] **ክፍሊ ትምህርተ እምነት** CDF instruction, Donum Vitae, intro. 5.
[57] *ዘፍ* 4፡8-12 *ረኣ*
[58] *ዘፍ* 4፡10-11
[59] *ዘፍ* 9፡5-6

ኣብ ብሉይ ኪዳን ደም ወትሩ ዝተቐደሰ ምልክት-ሕይወት ኮይኑ ምስ ተገመተ እዩ።[60] እዚ ትምህርት'ዚ ድማ ንኹሉ ግዜ ኣገዳሲ ኮይኑ ዚነብር እዩ።

2261 "ንጹሕ ወይ ቕኑዕ ሰብ ኣይትቕተል"[61] ብምባል ቅዱስ መጽሓፍ ነቲ ኣብ ኃምሻይ ትእዛዝ ዘሎ እግድ የነጽረልና። ንሓደ ንጹሕ ሰብ ኮነ ኢልካ፣ ደሊኻን ፈሊጥካን ምቕታል፡ ንናይ ሰብኣዊ ፍጡር ክብረ-ግርማን፣ ነቲ ውልቃዊ ሕግን፣ ንቕድስና ፈጣሪ ብቐንዱን ብኸቢድ ዚፃረር ኃጢኣት እዩ። እቲ ነዚ ዚእግድ ሕጊ ድማ ኩሉ ግዜን፣ ኣብ ኩሉ ቦታን ብቕዓት ዘለዎ፤ ንነፍስወከፍን፡ ንኹሉ ሰብን ወትሩን ኣብ ኩሉ ቦታን ዘገድዶ እዩ። 1756

2262 ኣብ'ቲ ኣንቀጸ-ብፅዓን ወይ ናይ እምባ ስብከቱ ጐይታ፡ ነዚ "ኣይትቕተል"[62] ዚብል ትእዛዝ ድሕሪ ጠቒሱ፡ ነቲ ናይ ቍጥዓን፡ ጽልእን ቒምን እግድ ይውስኸሉ። ክንየዉ ብምኻድ'ውን፡ እንኪጽፍዑ እቲ ካልእ ወገን ምዕጕር ቶም'ውን ከቕርቡ፣ ንጸላእቶም'ውን ከፍቅሩ ክርስቶስ ንተመሃርቱ፡ የሓቶም።[63] ኣይሁድ ኪሕዝዎ ከለዉ ንርእሱ ኣይተኸላኸለን፣ ንጴጥሮስ'ውን፡ ንሤፉ ኣብ እንዳኣ (ገበራ) ኪመልሳ ኣዘዞ።[64] 2844

## ሕጋዊ (ፍቑድ) ርእሰ-ምክልኻል

2263 ናይ ሰባት ወይ ኅብረተሰባት ሕጋዊ/ግቡእ ርእሰምክልኻል፣ ኮነ ኢልካ ንዚፍጸም ቅትለት-ንጹሓን ንዚእግድ ሕጊ ዚጥሕስ ወይ ተጻዩ ኣይኮነን። "ተግባር ርእሰ-ምክልኻል ድርብ ውጽኢት ኪህልዎ ዚኽእል እዩ፣ ማለት ገዛእ ሕይወትካ ምዕቃብን ምድሓንን፣ ከምኡ'ውን ነቲ ተጻባኢ ምቕታል...እቲ ቀዳማይ ዝተኀለነ ወይ ዝተመደበ እዩ፣ እቲ ካልእ ግን ኣይኮነን"።[65] 1737

2264 ንርእስኻ ምፍቃር መሠረታዊ ሞራላዊ መምርሒ ኮይኑ ዚነብር እዩ። ምእንት'ዚ ድማ ብሕይወት ናይ ምንባር መሰልካ ኪኸበረልካ ምጽዓር ግቡእን ሕጋውን እዩ። ሕይወቱ ንምድኃን ዚከላኸል ሰብ፣ ነቲ ዘጥቀዖ ዘሎ ተጻባኢ ናብ ሞት ዘብጽሕ መውቃዕቲ ኪፍጽመሉ'ኳ እንተተገደደ፣ ናይ ቅትለት ገበን የብሉን፦ 2196

> ሓደ ሰብ፡ ምእንቲ ርእሱ ኪከላኸል ከሎ፣ ካብ'ቲ ምጡንን ዘድልን ንላዕሊ ዓመጽን ኃይልን እንተተጠቒሙ፣ እዚ ዘይሕጋዊ እዩ፤ ብምጡን ኣገባብ ንኃይሊ-ጕነጽ ኪመልሶን ኪቃወሞን ከሎ ግን ምክልኻሉ ሕጋዊ ይኸውን። ...ንኻልእ ከይትቐትል ኢልካ፣ ነቲ ምጡን ርእሰ-ምክልኻል ምግዳፍ

[60] ዘሌ 17፡14 ረአ
[61] ዘፀ 23፡7
[62] ማቴ 5፡21
[63] ማቴ 5፡22-39፣5፡44 ረአ
[64] ማቴ 26፡52 ረአ
[65] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II, 64, 7, corp. art.

ንድኅነት ኣድላዪ ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ ከኣ፡ ሓደ ሰብ፡ ቅድሚ ናይ ካልእ፣ ገዛእ ርእሱን ሕይወቱን ኪከናኸን ትሑዝ እዩ።[66]

**2265** ኣብ ሕይወት-ካልኦት ኃላፍነት ንዘለዎ ወገን፣ ሕጋዊ ግቡእ ምክልኻል፣
2240 መሰል ብሕቱ ዘይኮነስ፡ ከቢድ መዝነትን፡ ግቡእነትን እውን እዩ። ናይ ኅብረተሰብ ሓባራዊ ጠቕሚ (ረብሓ) ንምሕላው፣ ነቲ ተፃባኢ ወይ ኣጥቃዒ ጕድኣት ከም ዘየስዕብ ምግባሩ ማለት እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ፣ ሕጋዊ መንግሥታዊ ሥልጣን ዝለበሱ ወገናት፣ ኣብ ትሕቲ መሪሕነቶም ንዘሎ ማኅበረሰብ ዚፃባእ ዘበለ፣ ብብረታዊ (ወተሃደራዊ) ኃይሊ ኪመልስዎ (ኪቃወምዎ) መሰል ኣለዎም።

**2266** ንመሰላት ሕዝቢ ኮነ፣ንመሠረታዊ መምርሒታት-ኅብረተሰብ ዚጕድእ
1897-1898 ኣገባባትን ጠባያትን ከየስፋሕፍሐ፣ ሓደ መንግሥተ-ሃገር (state) ዘካይዶ ናይ
2308 ምክልኻል ጻዕሪ፣ ሓባራዊ ጠቕሚ (ረብሓ) ንምሕላው ምስ ዚሓትት ግዴታ
1449 ዚሰማማዕ እዩ። ንዝተፈጸመ ክብደት-በደል ዚመጣጠን መቕጻዕቲ ኪብይን፣ ሕጋዊ መንግሥታዊ ሥልጣን መሰልን ግዴታን ኣለዎ። ናይ'ዚ መቕጻዕቲ ቐዳማይ ዕላማ ከኣ በቲ በደል ንዝወረደ ምዝንባል ምትዕርራይ እዩ። መቕጻዕቱ፡ በቲ በደለይና ልባዊ ተቐባልነት ኪረክብ ከሎ፣ ናይ ካሕሣ ግምት (ዋጋ) ኣለዎ። መቕጻዕቲ እምበኣር ንሕዝባዊ ሥርዓት ዚከላኸልን፣ ድሕነት-ሕዝቢ ዚሕሉን ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፣ ፈዋሲ ዕላማን መደብን ኣለዎ። ብዚከኣል መጠን ድማ ንበደለይና ኣብ ምእራም ገለ ከበርክት ዚግበኦ እዩ።[67]

**2267** ናይ'ቲ ገበነይና ወገን፣ መንነቱን ኃላፍነቱን ተሓታትነቱን ተነጺሩ
2306 ኣብ ዝተለለየሉን ዝተፈልየሉን፣ እሞ ኸኣ ንሰብኣዊት ሕይወት ካብ ዓመጸይና ኣጥቃዒ ንምክልኻል ዚበቅዕ፣ እዚ ኣገባብ'ዚ ጥራሕ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ፣ መቕጻዕቲ-ሞት ምብያን እቲ ልሙድ (ንቡር) ትምህርቲ ቤተክርስትያን'ውን ዚቕበሎ እዩ።

እንተኾነ ግን፣ ድሕነት-ሕዝቢ ካብ መጥቃዕቲ ንምሕላውን ንምጽላልን፣ ናብ ሞት ዘየብጽሕ መጋበርን ኣገባባትን ዚከኣል እንተኾይኑ እቲ ኣብ ሥልጣን ዘሎ ኣካል ኣብኡ ኪድረት ኣለዎ። ምኽንያቱ ኸኣ ምስ'ቲ ጭቡጥን ህልውን ሓባራዊ ረብሓ፣ ኣውራ ድማ ምስ ክብረግርማ ወድሰብ ዚሰማማዕ እዚ እዩ።

ከም ሓቂ እንተደኣኮይኑ፣ ገበን ብዚግባእ ንምክልኻል ናይ ዘለዎ ሕጋዊ ክእለቱ ሳዕቤን ከም ምዃኑ መጠን፣ ሎሚ ሎሚ ሓደ መንግሥተ-ሃገር ነቲ ገበነይና ዳግማይ ገበን ከምዘይፍጽም ኣብ ምግባሩ ከተኵር ይርከብ። እዚ ኸኣ እቲ ገበነይና ርእሱ ከድሕን ንዘለዎ ዕድል ከይገደበ፣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ገበነይና ዚፍጸም መቕጻዕቲ-ሞት ግዲ ኮይኑ'ኳ እንተተረኽበ፡ "እዚ ብይን'ዚ፡ ፈጺሙ

[66] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II, 64, 7, corp. art.
[67] ሉቃ 23፡40-43 ረኣ

ዘይተወገደ፡ ኣዝዩ ውሑድ ወይ ስሑው እዩ"። (ዮሓንስ-ጳውሎስ 2ይ ወንጌል ሕይወት፣ Evangelium Vitae 56)

## ዝተኃለነ ቅትለት-ሰብ

**2268** ኮነ ኢልካ ብቐጥታ ዚፍጸም ዝተኃለነ ቅትለት፡ ከም መጠን ዓቢይ ኃጢኣት በዚ ኃምሻይ ትእዛዝ ዝተኣገደ እዩ። እቲ ነፍሰ-ገዳይ ኮነ፣ ደይመደይ ኢሎም ምስኡ ኣብ ቅትለት ኪተሓባበሩ ዝፈቐዱ ኲሎም፣ ናብ ሰማይ ዘእውን፡ በቐል ዚጽውዕን ኃጢኣት ይፍጽሙ።[68] 1867

ቅትለት-ሕፃናት፣[69] ቅትለት-ኃው፣ ቅትለት-ኣቦ፡ ቅትለት-ኣደ፣ ከምኡ እውን መጻምዲ-ኪዳንካ ምቕታል፣ ብምኽንያት'ቲ ዚጥሕሶን ዚብጥሶን ባሕርያዊ ማእሰር ዝምድና፣ ብፍሉይ ዚረአ ከቢድ ገበን እዩ። ዝተመጻረየ ዘርኢ (ዓሌት) ንምርካብ ኮነ፡ ብሕዝባዊ ክንክን-ጥዕና ኣመሳሚስካ ዚግበር ቅትለት፣ ብመንግሥታዊ ሥልጣን ዝተኣዘዘ'ውን ይኹን፡ ፍትሓዊ ክትብሎ ዘይከኣል እዩ።

**2269** ቀጥታ ብዘይኮነ ኣገባብ'ውን ይኹን፡ ንሰብ ናይ ምቕታል ዝኾነይኹን መደብ፡ በቲ ኃምሻይ ትእዛዝ ዝተኸልከለ እዩ። ብዘይብቑዕ ምኽንያት፡ ንሓደ ሰብ ኣብ ድንገተ-ሞት ምውዳቑ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ድንገተ-ሞት ንዘሎ ሰብ ሓገዝ ምንጻግ ሞራላዊ ሕጊ ዚኽልክሎ እዩ።

ኅብረተሰብ-ዓለም፡ ነቲ ኣኀላቒ ጥሜት ስቕ ኢሉ ምርኣዩን፣ ንምፍዋሱ ገለ ጻዕሪ ዘይምግባሩ፣ ዘሕፍርን ዘዋርድን ግፍዒ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ከቢድ በደል እውን እዩ። ብመንፈስ ሓረጣን ስስዕትን ብዝተመልኩ ወገናት ብዝተወሰደ ኣገባብ፣ ኣብዛ ሰብኣዊት ስድራቤት ናይ ኣኀዋቶም ጥሜትን ሞትን ዘስዓቡ ኲሎም፡ ብተዘዋዋሪ ነፍሰ-ገዳይ ስለዝኾኑ፡ ብኃላፍነት ዚሕተትሉ እዩ።[70]

ዘይተኃለነ (ኮነ ኢልካ ዘይተገብረ) ቅትለት፡ ብሞራል ዘሕተት (ዘኽስስ) ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ናይ ምቕታል ሓሳብ (ድልየት) እኳ እንተዘይብሉ፣ ዚመጣጠን ምኽንያት ከይሃለዎ፣ ሕይወት-ሰብ ዜጥፍእ ተግባር ዝፈጸመ ወገን ካብ ዓቢይ በደል ናጻ ኮይኑ ኪብየን ኣይክእልን። 2290

## ምንጻል ጽንሲ

**2270** ካብ እዋን ጽንሰቱ ኣትሒዙ፡ ሕይወት-ሰብ ፍጹም ብዝኾነ ኣገባብ ኪኽብርን ኪሕሎን ይግባእ። ካብ'ቲ ፈለማ እዋን-ህላዌኡ ጀሚሩ፡ ዝኾነ ሰብኣዊ ፍጡር፡ ናይ ሰብ መሰል ከምዘለዎ ኪፍለጥን ተቐባልነት ኪረክብን ኣለዎ። ካብ'ዚ 1703 357

[68] ዘፍ 4፡10 ረአ
[69] ፍሥሓን ተስፋን GS 51 § 3 ረአ
[70] ኣሞ 8፡4-10 ረአ

ሓደ ኸኣ፡ ዝኾነ ንጹሕ ሰብኣዊ ዕሸል ብሕይወት ኪነብር ዘለዎ ዘይትንከፍ መሰል እዩ።[71]

"ኣብ ከርሢ-ኣደኻ ከይሓነጽኩኻ ፈለጥኩኻ (ሓረኹኻ) ከይተወለድካ ከኣ ቀደስኩኻ"[72]

"ኣዕጽምተይ ምስ ተፈጥራ፣ኣብ ማሕፀን ኣደይ ከኣ ብጥንቃቐ ምስተገብራ፣ ኣብኡ ብሕቡእ ክዓቢ ከሎኹ፣ ኣብኡ ከም ዘሎኹ ረኣኻኒ"[73]

**2271** ዝኾነ ይኹን ብመደብ ዚግበር ምንጻል-ጽንሲ፡ ብሞራል ክፉእ ምዃኑ፣ ቤተክርስትያን ካብ ቀዳማይ ምእተዓመት ኣትሒዛ ምስኣረጋገጸቶ እያ። እዚ ትምህርት'ዚ ኣይተለወጠን፣ ንሓዋሩ'ውን ከይተለወጠ ዚነብር እዩ። ብቐጥታ ዚፍጸም ምንጻል-ጽንሲ፣ ማለት ከም መጋበሪ ወይ መወዳእታ ዕላማ ዚፍጸም ምንጻል ጽንሲ፣ ንሞራላዊ ሕጊ ዚፃረር ከቢድ በደል እዩ።

"ነቲ ድቂ ብምንጻል ኣይትቕተል። እቲ ሓዲሽ ዚውለድ'ውን ኣይተጥፍኦ"[74]

እቲ ዋና-ሕይወት እግዚኣብሔር፡ ሕይወት ናይ ምዕቃብ ልዑል ተልእኮ ንሰባት ሕድሪ ሂቡዎም እዩ፤ ስለ'ዚ ኸኣ ሰባት ነዚ ተልእኮ'ዚ ነኣኣቶም ብዚበቅዕ ኣገባብ ኪፍጽምዎ ይግባእ። ካብ እዋን-ጽንሰት ኣትሒዛ ሕይወት-ሰብ ብዝለዓለ ጥንቃቐ ክትሕሎ ይግባኣ፡ ምንጻል ጽንስን፡ ቅትለት ሕፃናትን ዘስካሕክሕ ገበን እዩ።[75]

**2272** ኣብ ተግባር ምንጻል-ጽንሲ ብሥርዓት ምትሕብባር ዓቢይ ኃጢኣት
1463 (በደል) እዩ። ተጻይ ሕይወት-ሰብ ንዝተፈጸመ በደል፣ ቤተክርስትያን ናይ ውግዘት ቀኖናዊ መቕጻዕቲ መዲባትሉ ኣላ። "ምንጻል-ጽንሲ ዝፈጸመ ሰብ፡ ውግዘት ዚቕበል "latae sententiae"[76] ነዚ በደል ብቐንዱ ብምፍጻሙ"[77] ብኡብኡ ኣብ ትሕት'ቲ ሕገቀኖናዊ ኵነታት ይወድቕ[78]። ኣብ'ዚ ከም'ዚ ዝበለ ግን ቤተ ክርስትያን ነቲ ናይ ምሕረት ሓሳብን ኣገባብን ደሪታቶ ማለት ኣይኮነን። የግዳ ናይ'ቲ ዝተፈጸመ በደል ክብደት፣ ኣብ ልዕል'ቲ ዝሞተ ንጹሕ ኮነ፣ ኣብ ስድራቤቱን መላእ ኅብረተሰብን ዝተፈጸመ ዘይሓዊ ጕድኣት ኣነጺራ ከተረድእ ትርከብ።

**2273** ነፍስወከፍ ንጹሕ ውልቀሰብ ብሕይወት ንምንባር ዘለዎ ዘይገሃስ
1930 ዘይንካእ መሰል፣ንሓደ ሲቪል ኅብረተሰብን ሕጋጋቱን ዘቕውም ቀንዲ ነገር እዩ።

---

[71] ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Donum Vitae I, 1 ረአ
[72] ኤር 1፡5፣ኢዮብ 10፡8-12፣መዝ 22፡10-11 ረአ
[73] መዝ 139፡15
[74] ዲድስቅልያ 2 ፣ 2፡ SCh 248፣ 148፣ መልእ.በርናባስ 19፣ 5፡ PG 2፣ 777፣ Ad Diognetum 5, 6፡ PG 2, 1173፣ተርቱሊያን Apol. 9፡ PL 1, 319-320 ረአ
[75] ፍሥሓን ተስፉን GS 51 § 3
[76] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1398.
[77] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1314.
[78] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1323-1324 ረአ

ናይ'ቲ ሰብ ዘይንካእ መሰላቱ፡ በቲ ሲቪል ኅብረተሰብ ኮነ ፖለቲካዊ ሥልጣን ኪኽበርን ተቐባልነት ኪረክብን ይግበእ። እዚ ሰብኣዊ መሰላት'ዚ ኣብ ውልቀሰባት ይኹን ኣብ ወለዲ ዚምርኰስ ኣይኮነን፤ ከምኡ'ውን ብኅብረተሰብ ወይ ከኣ ብመንግሥቲ-ሃገር ንዚግበር ኅድገታት ዚውክል ኣይኮነን። ኣብ ሰብኣዊ ባሕርይ ዘሎ እዩ። ሳላ'ቲ መበቈሉ ዝኾነ ተግባረ-ፍጥረት፣ እቲ መሰላት'ቲ ድሮ ኣብ ባሕርይ-ሰብ ዝተሰኽዐ እዩ። ካብ'ዚ መሠረታዊ መሰላት'ዚ ሕጂ ኪጥቀስ ዚግበኦ፣ ካብ እዋን ጽንሰቱ ኣትሒዙ ክሳብ ሞቱ፣ ነፍስወከፍ ሰብኣዊ ፍጡር፡ ብሕይወት ንምንባርን፣ ግዙፍ ኣካላዊ ምልኣቱ ንኽይድፈርን ዘለዎ መሰል እዩ።"[79]

"ንገለ ናይ ሰብኣዊ ፍጡር ወገናት፡ ሲቪላዊ ሕጋጋት ኪህቦም ንዚግበኦ ጽላልን ሓለዋን፣ እቲ ዝተሓገገ ኣዋጅ ዚነፍጎም እንተደኣኮይኑ፣ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ኪህሉ ንዝነበሮ ማዕርነት፣ እቲ መንግሥት-ሃገር ይኽልኦም ኣሎ ማለት እዩ። እቲ ሥሩዕ መንግሥት-ሃገር ኃይሉን ሥልጣኑን ኣብ ኣገልግሎት መሰላት ነፍስወከፍ ዜጋ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣገልግሎት'ቶም ሕልፊ ተነካእቲ ዝኾኑ፡ ዘየውዕል እንተኾይኑ፣ ኣብ ሕጊ ዝተመሥረተ መንግሥት-ሃገር፡ ቀንዲ መሠረታቱ ተነቓኒቑ ኣሎ ማለት እዩ.... እቲ ዘይተወልደ ዕሸል ካብ ግዜ ጽንሰቱ ጀሚሩ ኪረጋገጸሉ ናይ ዚግበኦ ክብረትን ሓለዋን፣ ከም ናይ'ዚ ሳዕቤን ድማ ኮነ ኢ.ልካ ንዚግበር ነፍስወከፍ ምግሃስ መሰል-ሕፃናት፣ ሕጊ ግቡእን ብቑዕን ገበናዊ መቕጻዕቲ ኪምድበሉ ኣለዎ።"[80]

2274 ካብ ጽንሰቱ ጀሚሩ እቲ ጽንሲ ከም ሰብ ስለዚሕሰብ፣ ምልኣቱ ኪሕሎን፣ ከም ሓደ ሰብኣዊ ፍጡር ብዚከኣል መጠን ንምሕዋዩ ክንክን ኪግበረሉን ይግባእ።

"ናይ'ቲ ጽንሲ ኮነ ሰብኣዊ ድቂ ሕይወትን ኣካላዊ ምልኣትን ዚሕሉን፣ ከም ውልቀሰብ መጠን ድማ ንምሕላዉን ንምሕዋዩን ዝዓለመ እንተደኣ ኮይኑ፣ ናይ ቅድመ-ወሊድ መርመራ ብሞራል ፍቑድ እዩ.... እዚ ግን ኣብ'ቲ ውጽኢቱ ተመርኲስካ፣ ብዚከኣል ናብ ምንጻል-ጽንሲ ንምጥምዛዙ ዝተሓስበ እንተ ኾይኑ፣ ንሞራላዊ ሕጊ ዚጻባእ ከቢድ ገበን እዩ፤ በዚ ዝመጽእ ሓደ መርመራ፡ ምስ ናይ ሞት ውሳኔ ኪመዓራረ ኣይግባእን"።[81]

2275 "ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ ጽንሲ/ድቂ ዚግበር መጽናዕቲ ወይ መርመራታት፣ ናይ'ቲ ጽንሲ ሕይወትን ምልኣትን ዜኽብር፣ ዘይተመጣጠነ ሓደጋ'ውን ዘየምጽኣሉ

[79] ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Donum Vitae III.
[80] ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Donum Vitae III.
[81] ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Donum Vitae I, 2.

እንተኾይኑ፣ የግዳ ንምሕዋዩን፡ ንምምሕያሽ ሃለዋት-ጥዕናኡ ወይ ከኣ ብሕይወት ንምቕጻሉ ሓሲቡ ዚሰርሕ እንተኾይኑ፡ ከም ፍቑድ መስርሕ ኪረአ ይከኣል"።[82]

"ልክዕ ከም ናይ ሥነ-ሕይወት ነገራት መፈተንታ ንኽትጥቀመሉ ብዚብል ሕሳብ፣ ሰብ-ሰርሖ ሰብኣዊ ድቂ ምፍራይ ኢሞራላዊ ዝኾነ ተግባር እዩ።"[83]

"ገሊኡ ፈተነታት፡ ኣብ ዘርኢ-ሰብ ንዘሎ ሕብረ-ነገራት ወይ ከኣ ዘርኣዊ ውርሻ ንዚውስን ነገራት ለውጢ ወይ ጽልዋ ንምግባር እዩ፤ እዚ ግን ብጾታ ኮነ ብኻልእ ውሱን ዓይነትን ብቕዓትን፣ ምሩጽ ሰብኣዊ ፍጡር ንምፍራይ ዝዓለመ ደኣ'ምበር ንምፍዋስ ኣይኮነን። እዚ ዝዓይነቱ ብኢደወንንካ ዚግበር ምልውዋጣት፡ ንፍጥረት-ሰብን፡ ሰብኣዊ ክብረ-ግርማን ነቲ ኡንኮን ዘይድገምን ምልኣቱን መንነቱን"[84] ዚፃረር እዩ።

## ድጉፍ ሞት (Euthanasia)

**2276** ሕይወቶም ኣዝያ ዝተሃስየትን ዝደኸመትን ወገናት ፍሉይ ኣኽብሮ
1503 የድልዮም። ሕሙማን ወይ ስንኩላን ሰባት ከኣ ብዚከኣል ንቡር ሕይወት ንኺመርሑ ኪሕገዙ ይግበኦም።

**2277** ዕላማታቱን መጋበሪታቱን ዝኾነ ይኹን፣ እቲ "ጽቡቕ ሞት" ወይ "ድጉፍ ሞት" (Euthanasia) ዚበሃል፣ ንሕይወት ስንኩላንን ሕሙማትን፡ ወይ ከኣ ኣብ ኣፍ-ሞት ንዘለዉ፡ ባዕልኻ ንሕይወቶም መዕለቢ እንክትገብረላ ዜመልክት እዩ። እዚ ብሞራል ንጹግ እዩ።

ምእንት'ዚ ሓደ ዚፍጸም ወይ ከኣ ዚጐድል ተግባር፣ ባዕሉ ብባዕሉ ወይ ከኣ ብሓሳብ፣ ሥቓይ ንምልጋስ ተባሂሉ ምኽንያት-ሞት እንኪኸውን ቅትለት እዩ። ንሰብኣዊ ክብረ-ግርማን፡ ፈጣሪኡ ንዝኾነ ሕያው ኣምላኽ ዚግባእ ክብሪ ብኽቢድ ዚፃረር ተግባር እዩ። ብጽቡቕ ኅሊና (እምነት) እናሃሎኻ እትወድቀሉ ናይ ፍርዲ ስሕተት፣ ንናይ'ዚ ቅትለታዊ ተግባር ባሕርይ ኣይልውጦን እዩ፤ እዚ ተግባር'ዚ ወትሩ ኪኽልከልን ኪውገድን ዘለዎ እዩ።

**2278** ንምጽዋሩ ከቢድ ዝኾነን፡ ሓደገይናን ንቡርን ዘይኮነ፣ ወይ ከኣ
1007 ምስ'ቲ ውጽኢቱ ዘይመጣጠን ሕክምናዊ መስርሕ ምቍራጹ ሕጋውን ግቡእን ኪኸውን ዚኽእል እዩ። እዚ ከኣ "ካብ መጠን ንዝሓለፈ" ሕክምና ምንጻግ እዩ። ኣብ'ዚ ግን ሓደ ሰብ ንሞት ምኽንያት ኪህብ ደልዩ ማለት ኣይኮነን። ክትዓግቶ ብዘይምኽኣልካ ጥራሕ ትቕበሎ ኣሎኻ ማለት እዩ። እቲ ሕሙም ዓቕምን

---

[82] ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Donum Vitae I, 3
[83] ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Donum Vitae I, 5.
[84] ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Donum Vitae I, 6.

ብቕዓትን ዘለዎ እንተኾይኑ እቲ ውሳኔ በኣኡ እዩ ኪግበር ዘለዎ። እንተዘይኮነ፡ ነቲ ሕሙም ብሕጋዊ መንገዲ ብዚውክሉ፣ ነቲ ርዱእ ዝኾነ ድልየቱን፣ ብቑዕ ባህግታቱን ብዚሕልዉሉ መኾርቡ ሰባት ኪግበር ይከኣል።

**2279** ሞት ብቐረባ ከምዚመጽእ'ኳ እንተተሓሰበ፣ ነቲ ሕሙም ዚግባእ ክንክን ኪቋረጽ፣ ሕጋዊ ወይ ግቡእ ኣይኮነን። ከም መጠን ዕላማ ኮነ መጋበሪ፣ ሞት ተደልዩ ዘይኮነስ፣ ኣማዕዲኻ እትርእዮን፡ ከም ዘይተርፍ ክትቅበሎን ከሎኻ፣ ፈውሲ ሥቓይ ብምጥቃም ነቲ ኣብ ኣፍሞት ዘሎ ሥቓዩ ምዝሓል (መዋዕሉ ናይ ምሕጻር ሓደጋ'ኳ እንተለዎ) ብመንገዲ ሞራል ምስቲ ሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ዚሰማማዕ እዩ። ሥቓይ ንምዝሓል ዚግበር ክንክን ናይ'ቲ ረብሓ ዘይጽበ ግብረ-ሠናይ (ፍቕሪ) ፍሉይ መልክዕ እዩ። ኪተባባዕ ዚግበኦ'ውን እዩ።

## ርእሰ-ቕትለት

**2280** ነፍስወከፍ ሰብ፣ ኣብ ቅድም'ቲ ሕይወት ዝጸገዎ ኣምላኽ፣ ናይ ሕይወቱ ኃላፍነት ኣለዎ። ናይ ሕይወት ልዑል ጐይታ(ዋና) ኮይኑ ዚነብር ግን እግዚኣብሔር እዩ። ንሕይወት ብመንፈስ ሞሳን ምስጋናን ክንቅበላ፣ ንኽብረ-ኣምላኽን፡ ንድኅነት-ነፍሳትናን ኢልና ድማ፡ ክንዕቅባ ይግበኣና። ንሕናስ ሕድሪ ዝተቐበልና መጽናሕቲ ደኣ'ምበር፣ ኣምላኽ ነኣና ሕድሪ ናይ ዝሃበና ሕይወት ዋናታታ ኣይኮናን። ከምዝመሰለና ወይ ከምዝደለና ክንገብራ ኣይንኽእልን። 2258

**2281** ርእሰ-ቅትለት፣ ኣብ ሰብኣዊ ፍጡር ንዘሎ ሕይወት ናይ ምዕቃብን ምቕጻልን ባሕርያዊ ዝንባሌ ዚፃረር ተግባር እዩ። ቅኑዕ ንዝኾነ ናይ ርእስኻ ፍቕሪ ዘፍርስ'ውን እዩ። ምስ'ዚ ብተመሳሳሊ'ውን ብመንጽሮም ግዴታ ከምዘሎና ንእንእመነሎም ስድራቤትን ሃገርን፣ ካልኦት ኣባላት-ኅብረተሰብን ስለዚብድል፣ ንፍቕሪ-ብጻይ'ውን ኪሃሲ ይርከብ። ርእሰ-ቕትለት፡ ነቲ ሕያው ኣምላኽ ዘሎና ፍቕሪ ዚጻባእ እዩ። 2212

**2282** ብፍላይ ንመንእሰያት ኣብነት ንምኻን ብዚብል ኅሊና ዝተፈጸመ ርእሰ-ቕትለት እንተደኣኮይኑ፣ ከቢድ ናይ ዕንቅፋት መልክዕ'ውን ኪሕዝ ይርከብ። ብድልየት ዚግበር ናይ ርእሰ-ቕትለት ምትሕብባር ተጻይ ሕጊ-ሞራል እዩ። 1735

ከቢድ ሥነልቦናዊ ምንዋጽ፣ መሪር ጓሂ፣ ወይ ናይ ጸበባ ከቢድ ፍርሓት፣ ሥቓይ ወይ መግረፍቲ ንናይ'ቲ ርእሰ-ቕትለት ዚፍጽም ወገን ተሓታትነት የጕድሎ እዩ።

**2283** ገዛእ ሕይወቶም ዘጥፍኡ ሰባት፣ ብዘለዓለማዊ ድኅነቶም ተስፋ ክንቈርጽ ኣይግበኣናን። ንሱ ንብሕቱ ብዚፈልጦ መንገዲ፣ ኣምላኽ ሓደ ጥዑይ ናይ ንስሓ ዕድል ከፊቱሎም ይኸውን እዩ። ሕይወቶም ባዕላቶም ምእንቲ ዘጥፍኡ ሰባት ቤተክርስትያን ጸሎታ ተዕርግ። 1037

## II. ክብረግርማ-ሰባት ምኽባር

### ነፍሳት-ካልኦት ምኽባር፦ ዕንቅፋት

**2284** ዕንቅፋት ኪበሃል እንከሎ፣ ካልእ ሰብ ነዚ ርእዩ ክፉእ ንኺገብር
2847 ዘተባብዖን ዚመርሖን ኣተና ወይ ጠባይ ከተርእዮ ከሎኻ እዩ። እቲ ዕንቅፋት ዚህብ ሰብ፡ ንብጻዩ ፈታኒ እዩ ዝኾኖ። ነቲ መንፈሳዊ ኃይልን ምልኣትን የሃሲ። ንኃዉ ክሳብ ናብ መንፈሳዊ ሞት ከብጽሖ'ውን ይኽእል። ብሰንክ'ቲ ዝተፈጸመ (ክፉእ)፣ ወይ ዘይተፈጸመ (ጽቡቕ) ተግባር፡ ኮነ ኢልካ ንሓደ ናብ ዓቢይ በደል እንተመሪሕካዮ፣ እቲ ዕንቅፋት ዓቢይ ኃጢኣት (በደል) ይኸውን።

**2285** ብናይ'ቶም ዕንቅፋት ዚህቡ፡ ደረጃ ኃላፍነት ወይ ሥልጣን፣ ወይ ከኣ
1906 ብናይ'ቶም ዚዕንቀፉ ወገናት ደረጃ ዓቕምን ድኻምነትን ዚኣክል፣ ዕንቅፋት ፍሉይ ዝኾነ ክብደት ይለብስ። ንጐይታና'ውን እዚ ዚስዕብ መርገም ከም ዘስምዕ ዝገበሮ እዩ-"ንሓደ ካብዞም በኣይ ዚኣምኑ ናእሽቱ ዘስሕት ድማ፡ መጥሓን-ኣድጊ፡ ኣብ ክሳዱ ኣሲሮም፣ ኣብ መዓምቝ ባሕሪ ከጥሕልዎ ይሕሾ"[85]። ብባሕሪኦም ወይ ብዝለበስዎ ኃላፍነት ምኽንያት፡ ንኻልኦት ኪምህሩን፣ ብጽቡቕ ኪሓንጹን ዚግበኦም ሰባት ኪፍጽምዎ ከለዉ፣ ዕንቅፋት ኣዝዩ ኸቢድ ይኸውን። ኢየሱስ ንጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ኪወቕሶም ዝተረኽበ በዚ ምኽንያት'ዚ እዩ፣ ጸጕሪ-በጊዕ ምስ ዝተኸድኑ ተኲሉ የመሳስሎም።[86]

**2286** ዕንቅፋት፡ ብገለ ሕግታትን፡ ተቕዋማትን ግዜ ብዘምጽኦ ኣገባባትን (Fashion) ርእይቶን ኪለዓዓልን ኪተባባዕን ይኽእል እዩ።

ምእንት'ዚ ንሞራልን ንሥነምግባርን ዘዳኽም፣ ንመንፈሳዊ ተግባራት
1887 ዘበላሹን፣ ናብ'ዚ ዚመርሕ ሕግታትን ማኅበረሰባዊ መሣርዓትን ዚምህዙ፣ "ወይ
2498 ከኣ ንትእዛዛት እትፍጽመሉ ክርስትያናዊ ሕይወትን ተኣዝዞን ጽንኩር፡ ብግብሪ'ውን ዘይከኣል ንኪኸውን፣ ብመደብ ኮነ ብዘይመደብ "ናብ ዚሰርሕ ኅብረተሰባዊ ኵነታት ዚመርሑ ኵሎም ብናይ ዕንቅፋት በደል ይሕተቱ።[87] ኣብ ናይ ንግዲ ዓለም ዋናታት ኮይኖም ንምጥፍፋእ (ገንዘብ) ዘተባብዕ ሕግታት ብዚሠርዑን፣ ንተመሃርቶም ንቝጥዓ ብዘለዓዕሉ መምህራን[88]፣ ወይ ከኣ ንሕዝባዊ ርእይቶ ካብ'ቲ ናይ ሞራል መምርሕታት ብዘዘንብልዎ መደልሓቕቲ፣ እቲ ዝተጠቕሰ ሓቂ፡ ብዛዕባ'ዚኣቶም ኵሎም ኪበሃል ይከኣል።

**2287** ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ነቲ ዝጨበጦ ኃይልን ክእለትን፡ ንኻልኦት ብዘስሕተሉ መንገዲ ኪጥቀመሉ ከሎ፣ በቲ ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ዘተባብዖ ክፍኣት

---

[85] ማቴ 18፡6፣1 ቆሮ 8፡10-13 ረአ
[86] ማቴ 7፡15 ረአ
[87] ፒዮስ መበል 12 Discourse, June 1, 1941.
[88] ኤፌ 6፡4፣ቆላ 3፡21 ረአ

ዚኣክል፡ ናይ ዕንቅፋት በደል ይፍጽም፣ ተሓታቲ'ውን ይኸውን። "መዓንቀፊ ከይመጽአ ኣይተርፍን እዩ፤ ብሰንኩ መዓንቀፊ ንዚመጽእ ግና ወይልኡ"[89]።

## ንጥዕና ዚወሃብ ክብሪ

**2288** ሕይወትን፡ ናይ'ዚ ግዙፍ ኣካልና ጥዕናን፡ ኣምላኽ ዝሃበና ኣዝዩ ክቡር ዝኾነ ህያብ እዩ። ንናይ ካልኦት ግድነትን፡ ናይ ሓባር ረብሓታትን ኣብ ግምት ብምእታው ድማ፡ ንሕይወትናን ጥዕናናን ግቡእን ብቑዕን ዝኾነ ክንክን ክንገብር ይግባእ። 1503 1509

ንጥዕና-ዜጋታት ዚግበር ክንክን ብዚርኢ፣ ዕቤቱን ምዕባሌኡን ብምልኣት ንኺፍጸም ዘኽእል ኵነታት ምእንቲ ኺርከብ፣ እቲ ኅብረተሰብ፣ ከም ምግቢ፣ ክዳን፣ መንበሪ ገዛ፣ ሕክምና፣ መሠረታዊ ትምህርቲ፣ ናይ ስራሕን ናይ ማኅበራዊ ረድኤትን ዝበለ ኣበርክቶ ኪገብር ይሕተት።

**2289** ሞራል (ሥነ ምግባር) ንሕይወት ግዙፍ ኣካል (ሥጋ) ዚግባእ ክብሪ ኪወሃብ ዚሓትት ይኹን'ምበር፡ ነዝ'ስ ዝለዓለ ፍጹም ዋጋ ኣይህቦን እዩ። ኣምልኾ ግዙፍ ኣካል (ሥጋ) ንዘማዕብል፣ ኵሉ ነገር ምእንትኡ ኢልካ እትሥውዓሉ፣ ንጽባቐን ብርታዐን ግዙፍ ኣካል፣ ናይ ስፖርት ዓወትን፣ ከም ጣዖት ከተምልኾ ንዚገብረካ ናይ ሓዲሽ ኣረምነት ርድኢትን ፈጺሙ ኪነጽጎ ይርከብ። ብመንፅር'ቲ ድኹም ወትሩ ነቲ ኃያል ኪመርጽ ስለ ዚድርኾ፡ እዚ ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ፡ ንሰብኣዊ ርክባት ናብ ምዝንባልን ምብልሻውን ኪመርሕ ይኽእል። 364 2113

**2290** ከም ምጥንና ዝበለ መንፈሳዊ ኃይሊ፣ ዝኾነ ዓይነት ዓቐን ከይነሓልፍ ዚሕግዝ እዩ። መግብን፡ ኣልኮላዊ መስተን፣ ትንባኾን፣ ወይ ከኣ ፈውሲ ልዕሊ ዓቐን ኪኸውን የብሉን። ብሰንኪ ስኽራን ይኹን፣ ፍጥነት ብምፍታው፡ ኣብ ናይ ጽርግያ (ተሽከርከርቲ) ኮነ፣ ኣብ ናይ ባሕሪ ከምኡ ኣብ ናይ ኣየር ጕዕዞ፣ ንሕይወቶምን ሕይወት-ካልኦትን ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ'ውን ዓቢይ በደል ይፍጽሙ። 1809

**2291** ዘደንዝዝ ዘፍዝዝ ኣቑጽልቲ (ሓሺሽ) ምጥቃም፣ ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ ሕይወትን ጥዕናን ከቢድ ጕድኣት ዘውርድ እዩ። ኣብ ሕክምናዊ ፈውሲ ንኸተውዕሎ እንተዘይኮይኑ፣ ነዚ ምጥቃም ዓቢይ በደል እዩ። ነዚ ዘደንዝዝ ዘፍዝዝ ኣፋውስ'ዚ ብኅቡእ ምስራሕን ምዝርጋሕን፣ ኣብ ኣጸያፊ ተግባር ምስታፍ እዩ። ንሞራላዊ ሕጊ ዚፃረር ዓቢይ በደል ንኺፍጽሙ፣ ንሰባት ምትብባዕ ስለዝኾነ፣ ኣብ'ቲ ግብረ ክፍኣት ብቐጥታ ይሳተፉ ኣለዉ ማለት እዩ።

---

[89] ሉቃ 17፡1

# ንሰብ ዚወሃብ ክብርን፣ ሥነፍልጠታዊ ምርምርን

**2292** ኣብ ልዕሊ ውልቀሰባትን ጕጅለታትን ዚካየድ ሥነፍልጠታዊ (ሳይንሳዊ) ሕክምናዊ ፈተነ ወይ ምርምር፣ ኣብ ምፍዋስ ሕሙማንን መደብ ሓለዋ-ጥዕና ሕዝብን እጃሙ ከበርክት ዚኽእል እዩ።

**2293** መሠረታዊ ሥነፍልጠታዊ መጽናዕቲ ኮነ፡ ብግብሪ ዚፍተን ምርምር፡
159 ወድሰብ ኣብ ልዕሊ ፍጥረት ገዛኢ ምዃኑ ዜርኢ ኣገዳሲ መግለጺ እዩ።
1703 ሥነፍልጠት (ሳይንስ) ኮነ፡ ግብረ ኪነት (ቴክኖሎጂ) ኣብ ኣገልግሎት (ጠቕሚ) ወድሰብ ውዒሉ፣ ምልኣት ንዝሓዘለ ምዕባሌኡን፡ ንረብሓ ኵሉን ኪሕግዝ ከሎ፣ ብሉጽ ሃብትን በረኸትን ምዃኑ እዩ። ሥነፍልጠት (ሳይንስ) ኮነ፣ ግብረኪነት (ቴክኖሎጂ) ብርእሱ ግን ንምሥጢረ ህላዌ ይኹን ሰብኣዊ ምዕባሌ ኪገልጽ ኣይክእልን እዩ። ሥነፍልጠትን ግብረ-ኪነትን ንወድሰብ ዝተመደቡ፣ ካብኡ ከኣ መበቈሎምን ምዕባሌኦምን ዚረኽቡ ነገራት እዮም። ምእንትʼዚ ከኣ፡ ናይ ዕላማኦም ርግጽነትን፣ ናይ ደረቶም ርድኢትን ዚረኽብዎ፡ ኣብ ሰብን ኣብʼቲ ናቱ ሞራላዊ ክብርን ትምህርትን እዩ።

**2294** ኣብ ሥነፍልጠታዊ ምርምር ኮነ፣ ኣብ ግብሪ ኣብ ምውዓሉ፡ ዚፍጸም
2375 ኵሉ "ብመንገዲ ሞራል ኣይጽቡቕ ኣይክፉእ(ኣንጕል) እዩ" ዚብል ኣዘራርባ፡ ሃለውለው እዩ። በቲ ሓደ ወገን እቲ ቀንዲ መምርሕታት፡ ካብ ሓደ መንም ኪነታዊ ብቕዓት፣ ወይ ድማ፡ ገሊኦም ብጕድለት ካልኦት ካብ ዚረኽብዎ ጠቕሚ፣ ዝገደደ ከኣ ካብʼቲ ግዜኡ ዝሃቦ ርእዮተዓለም (ስነ ሓሳብ) ብቐሊሉ ዚመጽእ ኣይኮነን። ሥነፍልጠትን፡ ግብረ-ኪነትን ብባሕሪኡ፣ መሠረታዊ ዝኾነ ሞራላዊ መምዘንታት፡ ብዘይገለ ውዕሊ ኪሕሎን ኪኽብርን ዚሓትት እዩ። ምስ መደብ-ኣምላኽን ድላዩን ተሳንዩ ኽኣ ንወድሰብ ኮነ፣ ነቲ ዘይገሃስ መሰላቱ፣ ነቲ ምሉእን ቅኑዕን ረብሓታቱ፡ ከገልግል ይግበኦ።

**2295** ኣብ ልዕሊ ወድሰብ ዚካየድ ምርምርን መጽናዕታዊ ፈተነን ኩሉ፣
1753 ብባሕሪኡ ተጻይ ሰብኣዊ ክብርን ሞራላዊ ሕግን ንዝኾነ ተግባራት፡ ቅኑዕን ሕጋውን ኪገብሮ ኣይከኣሎን እዩ። እዚ ከምʼዚ ዝበለ ተግባራት፣ በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዚፍጸመሉ ሰብ ተቐባልነት እንተረኸበʼውን ቅኑዕ ኣይገብሮን እዩ። ንናይʼቲ ሰብʼቲ ሕይወት ኮነ፡ ግዙፍ ኣካላውን፡ ሥነልቦናውን ምልኣቱ፡ ናብ ዘይተመጣጠነ ወይʼውን ኪውገድ ናብ ዘይከኣል ሓደጋ ዘውድቕ እንተኾይኑ፣ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰባት ዚግበር መጽናዕታዊ ፈተነ ብሞራል ብቕዓትን ግቡእነትን የብሉን። እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዚፍጸመሉ ሰብ ኮነ፣ እቶም ከም ሕጋውን መቕርብን ኮይኖም ዚሓልፉሉ ሰባት፡ ከይተሓበሩን፡ ከይሠመሩን ዚግበር እንተኾይኑ፣ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰባት ዚግበር ምርምራዊ መጽናዕቲ፡ ምስ ናይ ሰብ ክብረ-ግርማ ዘሳኒ ኣይኮነን።

2296 ወሃቢ ኪጸወሮ ዘለዎ፡ ግዙፍ ኣካላውን ሥነልቦናውን ሓደጋን ጸገምን፣ እቲ ተቐባሊ ኪረኽቦ ምስዘለዎ ረብሓ ዚመጣጠን እንተደኣኾይኑ፣ ናይ መሌሊት (ክፍለ-ኣካላት) ምሃብን፣ ናብ ካልእ ምስግጋርን ምስ ሕጊ-ሞራል ዚሰማማዕ እዩ። ድሕሪ ሞትካ ዚግበር ምሃብ መሌሊት፡ ምስጉንን ዓስቢ ዘውህብን ተግባር ብምዃኑ፣ ከም ናይ ልግስን ተሓባባርነትን መግለጺ ኪተባባዕ ዚግበኦ እዩ። እቲ ወሃቢ ብቐንዱ፣ ወይ ከኣ ዚውክሎ መቐርቡ ሥምረቶም ዘይገለጹሉ እንተኾይኑ ብሞራል ቅቡል ኣይኮነን። ብተወሳኺ ሞት-ካልኦት ሰባት ከምዚደናገዮ ንምግባር እውን ይኹን፣ ንሓደ ሰብ ብቐጥታ ከምዚስንክል ወይ ድማ ከምዚመውት ምግባር ብሞራል ፈጺሙ ተቐባልነት የብሉን።

## ንግዙፍ ኣካል ዚወሃቦ ክብሪ

2297 ንሰባት ዓፊንካ ምጭዋይን፣ ጀሆ ምሓዝን ራዕዲ ከምዚሰፍን ይገብር። እቶም ጨወይቲ ድማ፡ ነቶም ግዳያቶም፡ እናፈራርሑ ኪጽወር ዘይከኣል ተጽዕኖ ከውርዱሎም ይርከቡ። ብሞራል ፈጺሞም ግጉያት እዮም። ግብረ-ሽበራ ወይ ዓመጽ ብዘይፈለያ ብጃምላዊ መንገዲ ኣብ ስግኣት ዘውድቕ፣ ዘቑስልን ዚቐትልን ስለዝኾነ፣ ተጻይ ፍትሕን ፍቕርን ዚፍጸም ዓቢይ ገበን እዩ። ጎቡእ ወይ ስቱር ነገር ምእንቲ ኪገልጹ፣ ዝበደሉ ንምቕጻዕ፣ ተቓወምቲ ንምፍርራሕ፣ ወይ ከኣ ጽልእኻ ከተውጽእ ኢልካ፣ ግዙፍ ኣካላዊ ኮነ ሞራላዊ ሥቓይ ኣብ ልዕሊ ሰባት ምውራድ (ምፍጻም) ንሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ዚፃረር እዩ። ፈዋሲ ብዝኾነ ሕክምናዊ ምኽንያት ዝተበገሰ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ግዙፍ ኣካል-ንጹሓት ሰባት ዚግበር ዝኾነ ይኹን ምቑራጽ፡ ምምታር፣ ከምዚመኽኑ ምግባር ተጻይ ሕጊ-ሞራል እዩ።[90]

2298 ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፣ ሕግን ሥርዓትን ንምሕላው ተባሂሉ ብሕጋዊ መንግሥታት ዝተወስደ ጨካን ዝኾነ ኣገባባት፣ ብናይ ቤተክርስትያን ጓሶትን መራሕትን ዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ከይተገብረሉ ሓለፈ፤ ምኽንያቱ ኸኣ እዚኦቶም ንባዕላቶም ኣብ'ቲ ዝነበረ ፍሉይ ኣብያተ ፍርድታቶም ነቲ ንሥቓያዊ መቕጻዕቲ ዚርኢ ሮማዊ ሕጊ ይኽተሉ ነበሩ። ከም'ዚ ዝበለ ሓድሓደ ዘሕዝን ተግባራት'ኳ እንተነበረ፣ ርኅራኄን ምሕረትን ግን ኣድላዪን ግቡእን ምዃኑ ቤተክርስትያን ወትሩ ምስመሃረት እያ። ወገነ-ክህነት ዘበሉ ኵሎም ደም ከየፍስሱ (ከየሓርዱ) ከልከለት። እዚ ጨካን ተግባራት'ዚ፡ ሕዝባዊ ሥርዓትን ርግኣትን ንምሕላው ዘየብቅዕ፣ ከምኡ'ውን ምስ'ቲ ናይ ወድሰብ ሕጋዊ መሰላት ዘየሳኒ ከምዝኾነ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋናት ግልጺ ኮይኑ እዩ። እኳደኣ ብተጻዩ እዚ ተግባራት'ዚ ንሰብ ኣዝዩ ናብ ዘዋርድ ኵነታት እዩ ዚወስድ። ስለ'ዚ ዚውገደሉ መንገዲ ምድላይ ይግባእ። ምእንቲ'ቶም ኣደዳ ሥቓይ ዝኾኑን፣ ሥቓይ ዘውርዱን ክንጽሊ ከኣ ግቡእና እዩ። 2267

---

[90] ደንዚንገር DS 3722 ረአ

## ኣኽብሮት ሙታን

**2299** መወዳእታ መዋዕል-ሕይወቶም ብኽብርን ብሰላምን ምእንቲ ከሕልፍዎ፡
1525 ንምሕጋዞም፣ ነቶም ኣብ ኣፍ-ሞት ዚርከቡ ፍሉይ ቈላሕታን ክንክንን ኪግበረሎም ይግባእ። ብጸሎት-ኣዝማዶምን ቤተሰቦምን ኪርድኡ የድሊ። ምስ'ቲ ሕያው ኣምላኽ ንምርኻብ ዘሰናድዎም ምሥጢራት ኣብ ግቡኡን ግዜኡን ምእንቲ ኪቕበሉ፡ ናይ'ዞም ኣዝማዶም ኀልዮትን ተገዳስነትን የድልዮም።

**2300** ንኣስከሬን-ሙታን ድማ ኣብ ትንሣኤ-ሙታን ብዘሎና እምነትን ተስፋን
1681-1690 ተመሊእና ብፍቕርን ክብርን ክነመሓድሮ ይግባእ። ሙታን ምቕባር ካብ'ቲ ናይ ምሕረት ስራሓት ሓደ እዩ፤[91] ናይ መንፈስ ቅዱስ (ሕንጻ) ቤተመቕደስ ንዝኾኑ ደቂ-እግዚኣብሔር ዜኽብር ተግባር እዩ።

**2301** ኣብ ልዕሊ ሬሳ ዚግበር መጽናዕትን ፍተሻታትን ንጕዳይ ሕጊ ዘገልግል፣ ወይ ከኣ ንሥነፍልጠታዊ ምርምር ዚሕግዝ እንኪኸውን ብሞራል ቅቡል ኪኸውን ይኽእል። ገሊኡ መሌሊት(ክፍሊ-ኣካል) ብድሕሪ-ሞትካ ንኻልእ ንኸገልግል ብናጻ ምሃብ፡ ሕጋዊ ጥራሕ ዘይኮነ ዓስበ-ጻማ ዘለዎ'ውን እዩ።

"ናይ ሥጋ ትንሣኤ-ሙታን ኣሎ" ንዚብል እምነት ብዚነጽግ ዕላማ ዝተ በገሥ እንተዘይኮይኑ፣ኣስከሬን (ሬሳ) ምቅጻል ቤተክርስትያን፡ ተፍቅዶ እያ።[92]

## III. ሰላም ምሕላውን ምውሓስን

### ሰላም

**2302** ጐይታና ነቲ "ኣይትቕተል"[93] ዚብል ትእዛዝ ብምዝኽኻር፣ ናይ ልቢ
1765 ሰላም ኪህልወና የሓትት፤ ናብ ቅትለት ንዚወስድ ቍጥዓን ጽልእን ካብ ሥነ-ምግባር ውፁእ ብምዃኑ ኪኹንኖ ይርከብ።

ቍጥዓ ናይ በቐል ዕላማ ዘለዎ እዩ። "ኪቕጻዕ ኣለዎ ንዝተባህለ ሰብ ንኽትጕድእ ኢልካ በቐል ምድላይ ዘይግባእ እዩ"፤ እንተኾነ "ዝተፈጸመ በደል ንኺእረም፣ ፍትሒ/ርትዒ እውን ንኺሕሎ" ኢልካ[94] መደብ ካሕሣ ምፍጻም ዚምስገን ተግባር እዩ። ደይመደይ ኢልካን ደሊኻን ንብጻይካ ንምቕታል ወይ ብጽኑዕ ንምቑሳል ዘብጽሕ ቍጥዓ እንተደኣኮይኑ፡ ተጻይ ፍቕሪ ዚፍጸም ዓቢይ

---

[91] ጦቢ. 1፡16-18 ረአ
[92] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1176 § 3 ረአ
[93] ማቴ 5፡21
[94] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II, 158, 1 ad 3

በደል፡ ይኸውን፤ ዓቢይ ኃጢኣት'ውን እዩ። ጐይታ "ንኃዉ ዚቍጣዕ ዘበለ ኹሉ ኪፍረዶ እዩ"[95] ይብል።

**2303** ደሊኻን ፈሊጥካን እትኹስኵሶ ጽልኢ ንፍቕሪ ዚፃረር እዩ። ሓደ ሰብ ፈሊጡ ንብጻዩ ሕማቕ (ክፉእ) ኪምነየሉ ከሎ፣ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ጽልኢ ኃጢኣት ይፍጽም። ሓደ ሰብ ንብጻዩ፡ ከቢድ ጕድኣት ኪወርዶ ኪደሊ ከሎ፣ እቲ ጽልኢ-ብጻይ ዓቢይ ኃጢኣት ይኸውን።"ኣነ ግና ጸላእትኹም ኣፍቅሩ፣ (ንዚረግሙኹም መርቑ) ደቅ'ቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ክትኮኑ፣ንሱ ንኽፉኣትን ንሕያዎትን ፀሓይ የብርቕ፤ ንጻድቃንን ንኃጥኣንን ድማ ዝናም የዝንም እዩ'ሞ፣ ንዚጸልኡኹም ጽቡቕ ግበሩ፣ስለ'ቶም ዘሳድዱኹም ጸልዩ እብለኩም ኣሎኹ"[96]። 2094 1933

**2304** ሰብኣዊት ሕይወት ክብራ ንኺሕሎን፣ ንክትምዕብልን ሰላም ኣድላዪ እዩ። ሰላም ኪበሃል ከሎ ውግእ ዘይብሉ ማለት ጥራሕ ኣይኮነን፤ ኣብ መንጎ ተጻባእቲ ሚዛን-ኃይሊ ኣብ ምሕላው ዚድረት እውን ኣይኮነን። ናይ ሰባት ረብሓ ከይሓሎኻ፣ ኣብ መንጎ ሰባት ናጻ ዝኾነ ርኽክብ ከየማዕበልካ፣ ናይ ሰባትን ሕዝብታትን ክብረ-ግርማ ከየኽበርካ፣ኣብ መደብ ኀውነት ብጽኑዕ ከይተጸመድካ፡ ኣብ ምድሪ ሰላም ተጨበጠ ማለት ዘበት እዩ። ሰላም "ናይ'ቲ ሥሩዕ ኣከያይዳ (ኣነባባር) ርግኣት እዩ"[97]። ሰላም ናይ ፍትሕን ርትዕን ተግባርን፣ ናይ ፍቕሪ ፍረን እዩ።[98] 1909 1807

**2305** ምድራዊ ሰላም፣ ናይ ሰላም-ክርስቶስ፡ ማለት ናይ'ቲ "መስፍነ ሰላም" መሚሓዊ[99] ፍረን ኣምሳልን እዩ። ኣብ መስቀል ብዝፈሰሰ ደሙ፡ "ኣብ'ቲ ገዛእ ኣካሉ ንጽልኢ ደምሲሱ"፣[100] ንሰባት ምስ ኣምላኽ ብምትዕራቕ፣ ንቤተክርስትያኑ ናይ ዓሌትሰብ ሓድነቱን፡ ምስ ኣምላኽ ናይ ዘለዎ ኅብረቱን ትእምርተ-ምሥጢር ገበራ። "ንሱ ሰላምና እዩ"[101] "ገበርቲ ሰላም ዕዉታት (ብፁዓን) እዮም"[102] ኪብል ድማ ኣወጀ። 1468

**2306** ሰብኣዊ መሰላት ንምሕላው፣ ግብረ-ዓመጽን ምፍሳስ-ደምን ዚነጽጉን፣ ዓቕሚ'ቶም ድኹማት ንዝኾነ መጋበሪ ዚጥቀሙን ዘበሉ፣ መንፈስ ወንጌል ንዝዓዘዞ ፍቕሪ ይምስክሩ። እዚ ግን፡ ንናይ ካልኦት ሰባትን ኅብረተሰባትን መሰላትን ግቡኣትን ከይነኽኡ እንተፈጸምዎ እዩ። ጥፍኣትን ዕንወትን ሞትን 2267

[95] ማቴ 5፡22
[96] ማቴ 5፡44-45
[97] ቅ.ኣጕስጢኖስ De civ. Dei, 19, 13, 1፡PL 41, 640.
[98] ኢሳ 32፡17፣ፍሥሓን ተስፋን GS 78 §§ 1-2 ረአ
[99] ኢሳ 9፡5
[100] ኤፌ 2፡16 J.B.፣ቆላ 1፡20-22 ረአ
[101] ኤፌ 2፡14
[102] ማቴ 5፡9

ንዘስዕብ ግብረ-ዓመጽ ምምራጽ፣ ዘምጽኦ ግዙፍን ሞራላውን ድንገት ክብደቱ ኪርድኡን፣ ብቑዕ ምስክርነት ኪህቡን ዚኽእሉ እዮም።[103]

## ውግእ ምውጋድ

**2307** ሕይወት-ሰብ ንምጥፋእ፣ ኮነ ኢልካ ብመደብ ዚግበር ኩሉ በቲ ሓምሻይ ትእዛዝ ዝተኸልከለ እዩ። ንኹሉ ዚካየድ ውግኣት ዘሰንዮ ክፍኣትን ግፍዕታትን ስለዘሎ፣ መለኮታዊ ጊሩት (ሕያውነት) ካብ'ዚ ጥንታዊ ባርነት-ውግእ፡ ሓራ ምእንቲ ከውጽኣና፣ ነፍስወከፍ ኣብ ጸሎትን ግብራዊ መደባትን ንኺጽመድ ቤተክርስትያን ብዘይምቍራጽ ተማሕጽን።[104]

**2308** ኵሎም ዜጋታትን መንግሥታትን ውግእ ንምውጋድ ኪሰርሑ ግዴታ ኣለዎም።

እንተኾነ፣ "ናይ ውግእ ሓደጋ ኣዝቢቡ ክሳብ ዝቐጸለ፣ ግቡእ ክእለትን
2266 ኃይልን ዝለበሰ ሓደ ዓለምለኸ ሥልጣን ክሳብ ዘይሃለወ፣ ናይ ሰላም ጻዕርታት ኵሉ ኣብ ዘይተዓወተሉ፣ እቲ ሕጋዊ ዝኾነ መሰል ርእሰ-ምክልኻል ንመንግሥታት (ንሃገራት) ኪንፈጎም ኣይከኣልን።"[105]

**2309** ብወተሃደራዊ ኃይሊ ንዚግበር ሕጋውን ግቡእን ምክልኻል ዜድሊ
2243 ኣገዳሲ ቅድመ-ኵነታት፣ ጥንቁቕ ዝኾነ ምስትውዓልን ግንዛበን ዚሓትት እዩ። ከምዚ ዝበለ ውሳኔ፡ ኣዝዩ ከቢድ ብምዃኑ፣ ሞራላዊ ብቕዓቱን ሕጋውነቱን ብዘገናዝብ ጥንቁቕን ስኩፍን መስርሕ ኪሓልፍ ዘለዎ እዩ። ማዕረ ማዕረ'ዚ ድማ እዚ ዚስዕብ ኣብ ግምት ኪኣቱ የድሊ፡-

- እቲ ዜጥቅዕ ጸላኢ፡ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ሃገር ወይ ማኅበር-ሃገራት ዘውርዶ ጕድኣት፡ ቀጻልን ከቢድን ርጉጽን ምዃኑ ምርግጋጽ፣
- ነዚ መጥቃዕቲ'ዚ ንምዕጋት ኮነ ንምውጋድ ዝተገብረ ኩሉ ካልእ ፈተነን መጋበርን፣ ኣብ ግብሪ ዘይውዕልን ዘየስልጥን ምዃኑ ከተርኢ ምኽኣል፣
- ናይ ዓወት ኣንፈት ዘርኢ ጭቡጥ ነገራት ኪህሉ ይግባእ፡
- ካብ'ቲ ከተወግዶን ክትዓግቶን ዝተበገስካሉ ክፍኣት፡ ንላዕሊ፣ በቲ ብረታዊ ኣገባብ፡ ዚመጽእ ክፍኣትን ሁከትን ኪብርትዕ ኣይግባእን። ሎሚ ዘሎ ናይ ጥፍኣትን ዕንወትን መጋበሪታት ኃይሉ ክትርኢ ከሎኻ፡ ነዚ ኵነታት'ዚ ምምዝዛን መጠን ክንደይ ዓቢይ ምዃኑ ይርዳእ።

---

[103] ፍሥሓን ተስፋን GS 78 § 3 ረአ
[104] ፍሥሓን ተስፋን GS 81 § 3 ረአ
[105] ፍሥሓን ተስፋን GS 79 § 4

"ፍትሓዊ ውግእ (ኵናት)" ዚበሃል ትምህርቲ ወይ ስነሓሳብ፣ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ትውፊት ኪዝርዝሮ ዝጸንሐ ነዚ ዝተጠቕሰ እዩ።

ንሞራላዊ ብቕዓቱ ዚርኢ ኵነታት ናይ ምግምጋም ክእለት፣ ብሓባራዊ ጠቕሚ ኣብ ዚግደሱ (ዝተመዘዙ) ወገናትን፣ ኣብ'ቲ ጥበብ ዝመልአ ፍርዶምን ግምቶምን ዝተገድፈ እዩ። 1897

**2310** በዚ ጕዳይ'ዚ ዝመጽእ፣ መንግሥታዊ ሰበሥልጣን፡ ንሃገራዊ ምክልኻል ዜድሊ ግድነታት (ግቡኣት) ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ኪእውጁ መሰልን ግቡእን ኣለዎም።

ኣብ ወተሃደራዊ ዕጡቕ ኃይሊ ኮይኖም ንሃገሮም ከገልግሉ ዝመሓሉ ኵሎም፣ ናይ ድሕንነትን (ጸጥታን) ናጽነትን ሃገራት ኣገልገልቲ እዮም። ነቲ ግቡእ ተግባሮም ብፍቕርን ብኽብርን ዚፍጽምዎ እንተኾይኖም ብሓቂ ኣብ ናይ ሃገር ሓባራዊ ረብሓን፣ ኣብ ሓለዋ ሰላምን ገለ ኣበርኪቶም ማለት እዩ።[106] 2239 1909

**2311** ኣጽዋር ንምልዓል ኅሊናኦም ንዘይገበረሎም ወገናት፣ መንግሥታዊ ሰበሥልጣን ምዕሩይ ዝኾነ ገለ ኣገባብ ኪምህዙሎም የድሊ። ብዝኾነ ግን እዚኣቶም'ውን እንተኾኑ፡ ነቲ ሰብኣዊ ማኅበር ብገለ ካልእ ኣገባብ ከገልግልዎ ግዴታ ከምዘለዎም ኪፈልጡ ይግባእ።[107] 1782 1790

**2312** ኣብ ግዜ ብረታዊ (ወተሃደራዊ) ረጽሚ ሞራላዊ ሕጊ ነባር ብቕዓት ከምዘለዎ፣ ቤተክርስትያን ኮነ ሰብኣዊ ኣእምሮ ዚጣበቑሉ እዩ። "ዘሕዝን ኵነታት ኣጓኒፉ፡ ውግእ እንተተባርዐ'ውን፣ እዚ ክውነት ብቐንዱ፡ ኣብ መንጎ'ቶም ተጻባእቲ ወገናት ንዚግበር ኩሉ የፍቅድ ማለት ኣይኮነን።"[108]

**2313** ኣብ'ቲ ውግእ ዘይሳተፉ ወገናት፣ ዝቘሰሉ ወተሃደራት፣ ከምኡ'ውን ምሩኻት፣ ሕቡሳት፣ ብኽብርን ብሰብኣውነትን ኪተሓዙ ይግባእ።

ንሕጊ-ሃገራትን (ሕዝብታት) ነቲ ሓፈሻዊ መምርሕታቱን ዚጻረር ደይመደይ ኢልካ ዚፍጸም ተግባራት ኮነ፣ ነዚ ተግባራት'ዚ ዘበግስ ትእዛዛት ኩሉ ገበን እዩ። ነዚ ኣብ ግብሪ ዘውዕል ከኣ፣ ተዓሚቱ ብምትእዛዙ ዚግበረሉ ንሕስያ የልቦን። ምእንት'ዚ ንሕዝቢ-ሃገር ወይ ውሑድ ብሔረሰብ ወይ ዓሌት ንምጽናት ዚግበር ዘበለ ኩሉ፣ ከም መጠን ዓቢይ ኃጢኣት ኪኹነን ዘለዎ እዩ። ሕዝቢ ወይ ዓሌት ንምጽናት (genocide) ንዝዓለመ ትእዛዝ፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኪቃወሞ ወይ ኪነጽጎ ብሞራል ትሑዝ እዩ። 2242

**2314** "መላእ ከተማታትን፡ ሰፊሕ ቦታታትን ምስ ነበርቶም ብዘይ ፈለያ ንምድምሳስ ዝዕላማኡ ዝኾነ ይኹን ኣገባብ ውግእ፡ ተጻይ ኣምላኽን ሰብን ዘእዊ

[106] ፍሥሓን ተስፋን GS 79 § 5 ረአ
[107] ፍሥሓን ተስፋን GS 79 §3 ረአ
[108] ፍሥሓን ተስፋን GS 79 § 4

ገበን እዩ፤ ግልጽን ጽኑዕን ብዝኾነ ብዘየሻሙ ኣገባብ ኪዥነን ዘለዎ እዩ።[109] ናይ'ዚ ሓዲሽን ዘመናውን ጥበብ-ውግእ ሓደጋ ድማ፣ ውጽኢት ሥነፍልጠት (ሳይንስ) ዝኾነ ሓዲሽ ኣጽዋር፣ ብፍላይ ከኣ ኣቶማዊ (atomic)፣ ሥነሕይወታዊ (Biological) ወይ ቀመማዊ (chemical) ኣጽዋር ዝጨበጡ ወገናት ነዚ ዝተጠቕሰ ገበን ንምፍጻም ዕድል ዚኸፍተሎም ብምዃኑ እዩ።

**2315** ኣጽዋር ምውህላል፣ ነቲ ኪለዓል ዚኽእል ተጻባኢ ንምፍርራሕ እትጥቀመሉ፡ ግርምቢጥ፣ ግን ከኣ ብቑዕ መንገዲ ምዃኑ ብዙኃት ዚሓስብዎ እዩ። ኣብ መንጎ ሃገራት ሰላም ንምርግጋጽ ዚጠቅም ዝበለጸ ኣድማዒ መጋበሪ ምዃኑ ይግምትዎ። እዚ ናይ ምፍርራሕ ብልኃት፣ ኃያል ዝኾነ ሞራላዊ ዕቃበታት ዘለዓዕል እዩ። ናይ ኣጽዋር ውድድር ወይ ቅድድም ንሰላም ከውሕስ ኣይክእልን እዩ። ንናይ ውግእ ምኽንያትን መበገሥን ክንዲ ዘወግድ፡ ኣጸቢቑ ከጕሃህሮ ይርከብ። ዘዝሓደሰ ኣጽዋር (ንምስራሕ) ንምፍራይ ዚወጽእ እልቢ ዘይብሉ ገንዘብ፣ ዝተጸገሙ ሕዝብታት ንምርዳእ ንዚግበር ጻዕሪ ዘሰናኽል፤[110] ንምዕባሌ ሕዝብታት ዚደቅስ እዩ። ካብ ልክዕ ንላዕሊ ኣጽዋር ምዕጣቕ፣ ንጠንቂ ውግእ የብዝሖ፣ እቲ ጸብእ ንላዕሊ ገጹ ንኪዓርግ ድማ ይሕግዝ።

**2316** ኣጽዋር ምስራሕን፣ ምሻጥን ምዕዳግን፣ ንናይ ሃገራት ኮነ፡ ዓለምለኸ
1906 ማኅበረሰብ ሓባራዊ ረብሓ ዚትንክፍ እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ መንግሥታዊ ሰበሥልጣን ሥርዓትን መምርሕታትን ከውጽኡሉ መሰልን ግቡእነትን ኣለዎም። ሓጺር ዝዕላማኡ ውልቃዊ ይኹን ሓባራዊ ጠቕሚ ተመርኵስካ፣ ኣብ መንጎ ሃገራትን ሕዝብታትን ናዕብን ዓመጽን ዘተባብዕ፣ ንዓለምለኸ ሕጋዊ ሥርዓት ዘዘናብል ተግባራት ምፍጻም ኣይግባእን።

**2317** ኣብ መንጎ ሰባትን ሃገራትን ዚኸሠት፣ ግፍዒ፣ ዘይፍትሓውን
1938 ዘይምዕሩይን ኤኮኖሚያውን ማኅበራውን ሥርዓታት፣ ቕንኢ፣ ዘይምትእምማን፡
2538 ትዕቢት፣ እዚ ኹሉ ንሰላም ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን፣ ጠንቂ ውግእ ዚኸውንን
1941 እዩ። ነዚ ዘይሥሩዕ ተርእዮታት ንምትዕርራይ ዚግበር ዝኾነ ይኹን ተበግሦ ንሕንጸት ሰላምን፣ ንምውጋድ ውግእን እጃሙ ዘበርክት እዩ፡-

> "ሰባት ኃጢኣተይናታት ክሳብ ዝኾኑ፣ ሓደጋ-ውግእ ኣብ ልዕሊኦም ኣንጠልጢሉ ዘሎን፣ ክርስቶስ ዳግማይ ክሳብ ዚመጽእ ድማ ብኸምኡ ዚቕጽልን እዩ። እንተኾነ ብፍቕሪ ተጠሚሮም ናብ ሓድነት ብምስጓም ንኃጢኣት ከጥፍኡ ብዝኽእልዎ መጠን፣ ግብረ-ዓመጽ ብርእሱ ኪጠፍእ እዩ፣ እዚ ዚስዕብ ብሂል ከኣ ኪፍጸም እዩ፤ "ኣሥያፎም ንማሕረሻታት፣ ኵናውቶም'ውን ንኀዞሞታት ኪሰርሕዎ እዮም፤ ሕዝቢ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ሠይፊ ኣይከልዕልን እዩ፤ ደጊምሲ ውግእ ኣይኪመሃሩን እዮም"[111]

[109] ፍሥሓን ተስፋን GS 80 § 3
[110] ጳውሎስ 6ይ PP 53 ረአ
[111] ፍሥሓን ተስፋን GS 78 § 6፣ኢሳ 2፡4 ረአ

## ብሓጺሩ

2318 "ሕይወት ዘለዎ ፍጥረትን፣ እስትንፋስ ወድሰብን ኣብ ኢድ-ኣምላኽ እዩ፣"። (እዮብ 12፡10)

2319 ነፍስወከፍ ሰብኣዊ ሕይወት፡ ካብ ጽንሰት ኣትሒዙ ክሳብ ሞት ዝተቐደሰን ዘይገሃስን እዩ፤ ምኽንያቱ ኸኣ ወድሰብ ንርእሱ፣ ብኣምላኽ ዝተደልየን፣ ብናይ'ቲ ሕያውን ቅዱስን ኣምላኽ ኣምሳልን ኣርኣያን ዝተፈጥረን እዩ።

2320 ንሰብ ምቕታል ንናይ ወድሰብ ክብረ-ግርማ ኮነ ንቕድስና ፈጣሪ ዚፃረር ተግባር እዩ።

2321 እዚ ምውጋድ-ቅትለት ግን፣ ግፍዔይና ተጻባኢ ሓደጋ/ጕድኣት ከምዘየውርድ ንምግባሩ (ንምክልኻሉ) ዚህልወኻ መሰል ዜዓግት ኣይኮነን። ዝኾነ ይኹን ኣብ ልዕሊ ሕይወት-ካልኣት ኮነ፡ ኣብ'ቲ ሓባራዊ ረብሓ ኃላፍነት ዘለዎ ከኣ፣ ሕጋውን ብቑዕን ምክልኻል ኪፍጽም ዓቢይ ግቡእነት ኣለዎ።

2322 ሕፃን ካብ ጽንሰቱ ጀሚሩ፣ ብሕይወት ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ። ብቐጥታ ዚፍጸም ምንጻል ጽንሲ፣ ከም ዕላማ ወይ ከም መጋበሪ ዚውሰድ ናይ ምንጻል ጽንሲ ስጕምቲ "ገበናዊ" ተግባር (ፍሥሓን ተስፋን GS.27.3) ኮይኑ፣ ንሕጊ ሞራል ብኽቢድ ዚፃረር እዩ። ከምዚ ንዝበለ ተጻይ ሕይወት-ሰብ ዚፍጸም ገበን፣ ቤተክርስትያን ናይ ውግዘት ቀኖናዊ መቕጻዕቲ ትእዝዝ።

2323 ካብ ጽንሰቱ ኣትሒዙ ከም ሰብ ኪሕሰብ ስለዚግባእ፣ እቲ ድቂ ምልኣቱ ኪሕሎን፡ ክንክን ኪግበረሉን፡ ከም ካልእ ሰብኣዊ ፍጡር ኪፍወስን ኪሕከምን ይግባእ።

2324 ዕላማኡን መልክዑን ዝኾነ ይኹን፣ ንሓደ ሰብ ብመደብ ከምዚመውት ምግባሩ፡ (ፈውሲ ሂብካ ወይ ፈውሲ ከሊእካ) ቅትለት እዩ። ንናይ ወድሰብ ክብረ-ግርማ ብኽቢድ ዚፃረር፣ ከምኡ'ውን ነቲ ፈጣሪኡ ዝኾነ ሕያው ኣምላኽ ዚግበኦ ክብሪ ዚነጽግ እዩ።

2325 ርእሰ-ቕትለት፡ ንመደብ ፍትሕን ተስፋን ፍቕርን ዚጻረር ከቢድ ነገር እዩ። በቲ ኃምሻይ ትእዛዝ ብጽኑዕ ዝተኸልከለ እዩ።

2326 ዕንቅፋት ኪበሃል ከሎ፣ ብተግባር ኮነ፣ ኪግበር ንዚግበኦ ብዘይምግባር፣ ንኻልእ ሰብ ኮነ ኢልካ ናብ ዓቢይ ኃጢኣት ብምምራሕ ዚፍጸም ዓቢይ በደል እዩ።

**2327** ውግእ ዘበለ ኵሉ ብዘስዕቦ ክፍኣትን ግፍዕታትን ምኽንያት፣ ንምውጋዱ፡ ዚከኣል ዘበለ ቅኑዕ ኣገባባት ክንፍጽም የድሊ። "ኦ ጐይታ፣ ካብ ጥሜትን፡ መቕሠፍትን፡ ኵናትን ኣድኅነና" ክትብል ቤተክርስትያን ትጽሊ።

**2328** ኣብ ግዜ ብረታዊ (ወተሃደራዊ) ረጽሚ፡ ሞራላዊ ሕጊ ነባር ብቕዓት ከምዘለዎ፣ ቤተክርስትያን ኮነ ሰብኣዊ ኣእምሮ ዚጣበቑሉ እዩ። ንሕጊ ሃገራትን (ሕዝብታትን) ሓፈሻዊ መምርሕታቱን ዚፃረር፣ ኮነ ኢልካ ዚፍጸም ተግባራት ይኹን፣ እቲ ነኣኡ ዘበግስ ትእዛዛት ኩሉ ገበን እዩ።

**2329** "ናይ ኣጽዋር ውድድር (ቅድድም) ኣብ ልዕሊ ዓሌትሰብ ዝወረደ ዝዓበየ መርገም እዩ። ኣብ ልዕሊ'ቶም ድኻታት ዘስዕቦ ጕድኣቱ ከኣ ኪጽወር ካብ ዚከኣል ንላዕሊ እዩ። (ፍሥሓን ተስፋን GS. 81.3)

**2330** "ገበርቲ ሰላም ዕዉታት (ብፁዓን) እዮም፣ ከመይ ውሉድ እግዚኣብሔር ኪስመዩ እዮም። (ማቴ.5፡9)

---

## ኣንቀጽ 6

# ሻድሻይ ትእዛዝ

**ኣይትዘሙ።**[112]

"ኣይትዘሙ" ከምዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ኣነ ግና ንጓለንስተይቲ ርእዩ ዚትምነያ ኹሉ፣ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘሚዉ፣ እብለኩም ኣሎኹ።[113]

## 369-373 I. "ተባዕታይን ኣንስተይትን ገቢሩ ፈጠሮም..."

**2331** "እግዚኣብሔር ፍቕሪ እዩ። ኣብ ገዛእ ርእሱ ድማ፡ ብኣካል ኣብ
1604 ምሥጢረ ፍቕርን ሱታፌን ይነብር። ኣምላኽ ንዓሌትሰብ፡ ብኣምሳሉ ብምፍጣር ከኣ...፣ ኣብ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን፡ ሰብኣውነት ናይ ፍቕርን (ሱታፌን) ኅብረትን ጸዋዕታ፣ ስለ'ዚ ኸኣ ክእለትን ኃላፍነትን ሰኹዐ።"[114]

---

[112] ዘፀ 20፡14፣ዘዳ 5፡18
[113] ማቴ 5፡27-28
[114] ስድራቤት FC 11

"ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ፤...ተባዕታይን ኣንስተይትን ገቢሩ ፈጠሮም።"[115] "ፍረዩን ተባዝሑን" ብምባል[116] ባረኾም። "ኣምላኽ በታ ንኣዳም ዝፈጠረላ መዓልቲ ብመልክዑ ገቢሩ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስተይትን ገቢሩ ፈጠሮም፣ ባረኾም ድማ። በታ ዝተፈጥሩላ መዓልቲ ከኣ ሰብ ቢሉ ሰመዮም"።[117]

**2332** ጾታዊ መደብ፣ ኣብ ናይ ሥጋኡን ነፍሱን ሓድነት፡ ንኹሉ መዳያት 362
ሰብ ዚትንክፍ እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ዝንባሌ-ፍቕሪ፣ ከተፍቅርን ውሉድ ኽተፍርን ዘሎ ክእለት፣ ብሓፈሻኡ ምስ ካልኦት ናይ ኅብረት ርክብ ምምሥራት ንዘኽእል ዘበለ ዚትንክፍ እዩ።

**2333** ነፍስወከፍ፣ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ ድማ፡ ነቲ ጾታዊ መንነቱን ኵነቱን 1603
ኪእመነሉን ኪቕበሎን ይግባእ። ኣብ መንጎኦም ዘሎ ግዙፍ ኣካላዊ፡ ሞራላውን መንፈሳውን ፍልየትን፡ ምምልላኣትን፡ ዕላማኡን ኣተዅሮኡን ንረብሓ ኪዳንን፡ ንምዕባሌ ስድራቤትን እዩ። ናይ ሰብሓዳር ኮነ ናይ ኅብረተሰብ ስኒትን ስምምዕን፣ መሠረቱ፡ ኣብ መንጎ'ዚ ክልተ ጾታ ዘሎ ምምልላእን፣ ግዴታን፡ ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝን ኣብ ዚርከበሉ ሃለዋት እዩ።

**2334** "ንሰባት ተባዕታይን ኣንስተይትን ገቢሩ ብምፍጣር፣ ኣምላኽ ንሰብኣይን 357
ሰበይትን ማዕረ ዝኾነ ክብረ-ግርማ ኣልቢሱዎም።"[118] "ሰብ ሓደ ኣካል እዩ፣ ሰብኣይን ሰበይትን ከኣ ብናይ ኣምላኽ ኣምሳልን ኣርኣያን ዝተፈጥሩ ስለዝኾኑ፡ ከምኡ ማዕረ እዮም"[119]።

**2335** ነፍስወከፍ እዚ ክልተ ጾታ ድማ፣ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ደኣ ይኹን 2205
'ምበር፣ ማዕረ ክብረ-ግርማ ዝለበሰ፡ ናይ ፍቕሪ-ኣምላኽን ክእለቱን ኣምሳል እዩ። ብኪዳን ዚፍጸም ሓድነት ሰብኣይን ሰበይትን ብመደብ ሥጋ ዚግለጽ ናይ ፈጣሪ ልግስን ፍርየትን ምስስል እዩ። "ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን የኃድግ፣ ምስ ሰበይቱ ከኣ ይወሃሃድ። ሓደ ኣካል (ሥጋ) ድማ ይኾኑ"[120] መላእ ሰብኣዊ ወለዶ ከኣ ካብ'ዚ ሓድነት'ዚ ይፍልፍል።[121]

**2336** ኢየሱስ ናብ'ዚ ዓለም'ዚ ዝመጽአ፣ ንፍጥረት ናብ ጥንተ-ንጽሕናኡ 1614
ንኺመልሶ ኢሉ እዩ። ኣብ'ቲ ኣንቀጸ ብፁዓን ዝተሰምየ ናይ እምባ ስብከቱ ድማ፡ ንመደብ-ኣምላኽ ብጸቢብ ኪትርጕሞ ይርከብ፡- "ኣይትዘሙ" ከምዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም፤ ኣነ ግና ንጓለንስተይቲ ርእዩ ዚትምነያ ዘበለ ኹሉ፡ ብልቡ

---

[115] ዘፍ 1፡27
[116] ዘፍ 1፡28
[117] ዘፍ 5፡1-2
[118] ስድራቤት FC 22፣ፍሥሓን ተስፋን GS 49 § 2 ረአ
[119] ክብሪ ጓለንስተይቲ MD 6
[120] ዘፍ 2፡24
[121] ዘፍ 4፡1-2፣ 25-26፣5፡1 ረአ

ፈጺሙ ኣብኣ ዘሚዉ እብለኩም ኣሎኹ።”[122] እግዚኣብሔር ኣብ ሓደ ንዝጸንበሮ፡ ሰብ ኣይፍለዮ።[123]

እዚ ሻድሻይ ትእዛዝ ንመላእ ሰብኣዊ ጾታ ዚሓቍፍ ምኳኑ፡ ትውፊት ቤተክርስትያን ወትሩ ዚርደኦ እዩ።

## II. ጸዋዕታ ንጽሕና

**2337** ንጽሕና ኪበሃል ከሎ፣ ኣብ ሓደ ሰብ ዚህሉ ዕዉት ዝኾነ ጾታዊ
2520 ምልኣት፣ ስለ'ዚ ኸኣ ሰብ ብሥጋኡን፡ መንፈሳዊ ኣተናኡን ዚጭብጦ ውሽጣዊ ሓድነት ምኳኑ እዩ። ወድሰብ ናይ'ዚ ግዙፍን ሥነሕይወታውን ዓለም ኣካል ምኳኑ ዚገልጽ መደብ ጾታ፣ ናይ በሓቂ ሰብኣውን ኣካላውን ኮይኑ ዚርከብ፣ ሓደ ሰብ ምስ'ቲ ካልእ ኣብ ዚገብሮ ርክብ፣ ሰብኣይን ሰበይትን ንመላእ ሕይወቶም ኣብ ዚፍጽምዎ ሓድሕዳዊ ምሉእ ህያብ ተወሃሂዱ ምስዚርከብ እዩ።

እዚ ናይ ንጽሕና መንፈሳዊ ኃይሊ እምበኣር፣ ናይ ሰብ ምልኣትን፣ ናይ'ቲ ህያብ ውህደትን ዘጠቓልል እዩ።

## ምልኣት ሰብ (ኣካል)

**2338** ንጽሓ-ድንግልና ዝጨበጠ ሰብ፣ ኣብኡ ንዝተነብረ ናይ ሕይወትን ፍቕርን ምልኣት ይሕሉ። እዚ ምልኣት'ዚ ድማ ንናይ'ቲ ሰብ ውሽጣዊ ሓድነት ውሕስነት ይህቦ። ከዳኽም ንዚኽእል ዝኾነ ይኹን ጠባያት ዚቃወም እዩ። ክልተ ገጽ ወይ ማንታ ዝኾነ ሕይወት ኮነ፡ ክልተ ዘረባ ኣየፍቅድን።[124]

**2339** ንጽሕና ኪበሃል እንከሎ፣ ሰብኣዊ ናጽነት ንኽትመሃር ዚግበር ጻዕሪ፣
1767 ማለት ርእስኻ ንምግታእ ዚግበር ልምምድ የጠቓልል። እቲ ካልእ ምርጫ ግልጺ እዩ፤ ወድሰብ ወይ ንስምዒታቱ ገዚኡን ገቲኡን ሰላም ኪጭብጥ እዩ፤ ወይ ከኣ ብስምዒታቱ ተገዚኡን ተመሊኹን ዘይሕጉስ ኪኸውን እዩ።[125] “ወድሰብ እምበኣር፡ ካብ ርእሱ ብዚለዓዓል ቀጥዒ ዘይብሉ ድፍኢት ወይ ብግዳማዊ ኣስገዳድ ዘይኮነስ፣ ካብ ውሽጡ ብዚንቀሳቐስ ውልቃዊ (ሰብኣዊ)፡ ናጻ ብዝኾነ ርዱእን ንቑሕን ምርጫ ምስራሕን ምክያድን፡ እቲ ክብረ-ግርማኡ ዚሓቶ እዩ። ወድሰብ ነዚ ክብር'ዚ ኪጭብጥ ዚኽእል፣ ርእሱ ካብ ባርነት-ስምዒታቱ ሓራ ገቢሩ ናጻ ብምኳን፣ ነቲ ሠናይ ዘበለ ብምምራጽ፣ ንቕድሚት ናብ'ቲ ዕላማኡ ገጹ ኪስጉም፣ ኣብ'ዚ ዕላማ'ዚ ንምብጻሕ ንዚሕግዞ መጋበሪ

---

[122] ማቴ 5:27-28
[123] ማቴ 19:6 ረአ
[124] ማቴ 5:37 ረአ
[125] ሢራ 1:22 ረአ

ድማ፡ ብትግሃቱን ክእለቱን ውጽኢታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ክረጋግጽ ምስዚርከብ እዩ።"[126]

**2340** ኣብ ጥምቀቱ ንዝኣተዎ መብፅዓ እሙን ኮይኑ ኪነብርን፣ ንፈተናታት 2015
ኪስዕርን ዚደሊ ሰብ፡ ነዚ ዚሕግዞ መጋበሪ ኪሕዝ ግዲ እዩ፡- ማለት ርእሰኻ
ምፍላጥ፣ ነቲ ዘጋጥመካ ኵነታት ዚሰማማዕ መንፈሳዊ ገድል ምዝውታር፣
ንትእዛዛት እግዚኣብሔር ምእዙዝ ምኳን፣ ሞራላዊ ኃይላት ምልባስ፣ ኣብ ጸሎት
እሙን ምኳን። "ብሓቂ'ውን፡ ኣብ ሓደ ክንጥርነፍን ናብ'ታ ብምብትታን ዘጥፋእናያ
ሓድነት ዳግማይ ክንሕቈፍን፡ እንኽእል፡ ብጸጋ ንጽሕና ኢና"።[127]

**2341** ናይ ንጽሕና መንፈሳዊ ኃይሊ፣ ኣብ ትሕቲ ናይ ትዕግሥቲ ወይ 1809
ምጥንና መሠረታዊ ሰብኣዊ ኃይሊ ይርከብ። እዚ ኃይል'ዚ ብመንገዲ-ኣእምሮን
ልቦናን ተመሪሑ፡ ናብ'ቲ ናይ ሕዋሳትና ስምዒታትን ድልየትን ከስፋሕፍሕ
ይጽዕር።

**2342** ርእሰኻ ምግታእ ወይ ምግዛእ ነዊሕን ጽኑዕን ዝኾነ ስራሕ እዩ። 409
ሓንሳብ ንወትሩ ጨቢጠዮ ኪብል ዚኽእል ሓደ'ኳ የልቦን። ኣብ ኩሉ መድረኻት
-ሕይወት እናተሓደሰ ዚኸይድ፣ ጻዕሪ ዚሓትት እዩ።[128] እዚ ጻዕር'ዚ ኣዝዩ
ከቢድ ኮይኑ ዚርከበሉ እዋን ድማ፣ ብግዜ ቍልዕነትን ጕብዝናን እቲ ሰብእናኡ
ኣብ ዚሕነጸሉ ወቕቲ እዩ።

**2343** መደብ ንጽሕናን፣ ዘይፍጹምነትን ድማ ብዚበዝሐ ብኃጢኣት ዚሓልፈሉን 2223
ዚምዕብለሉን ሕግታት-ዕብየት (ምዕባሌ) ኣለዎ። "ወድሰብ… በቲ መዓልቲ መጽኣ፡
ዚገብሮ ኃያሎይ ናጻ ውሳኔታቱ ርእሱ የሓንጽ፤ ምእንት'ዚ ኸኣ ብናይ ዕብየት
መድረኻት ኣቢሉ፣ ነቲ ሞራላዊ ሠናይ ነገር ይፈልጦ፣ የፍቅሮ፡ ኪፍጽሞ'ውን
ይርከብ።"[129]

**2344** መደብ ንጽሕና ውጹእ ውልቀሰባዊ ዕማም እዩ። ምስኡ'ውን "ኣብ 2525
መንጎ'ቲ ናይ ውልቀሰብ ምምዕባልን፣ ናይ ኅብረተሰብ ምምሕያሽን ምድግጋፍ"[130]
ስለዘሎ፣ ሕንጻተሰባውን ባህላውን ጻዕሪ'ውን የጠቓልል። መደብ ንጽሕና ንመሰላት
ሰብ ምሕላው ኣብ ግምት ዘእቱ እዩ፤ ብፍላይ ድማ ንናይ ሰብኣዊ ሕይወት
መንፈሳውን ሞራላውን መዳያቱ ዘኽብርን ዚሕሉን ሓበሬታን ትምህርትን ኪረክብ
መሰል ይህቦ።

**2345** ንጽሕና ሞራላዊ ኃይሊ እያ። ከምኡ'ውን ካብ ኣምላኽ እትመጽእ 1810
ህያብ ማለት ጸጋ፣ ፍረ መንፈሳዊ ትግሃትን ጻዕርን እያ።[131] ብማይ-ጥምቀት

---

[126] ፍሥሓን ተስፋን GS 17
[127] ቅ.ኣጐስጢኖስ Conf. 10, 29, 40፡ PL 32, 796
[128] ቲቶ 2፡1-6 ረአ
[129] ስድራቤት FC 34
[130] ፍሥሓን ተስፋን GS 25 § 1
[131] ገላ 5፡22 ረአ

ዳግማይ ዝተወልደ ሰብ፣ ንንጽሕና-ክርስቶስ ኪኽተልን ኪመስልን መንፈስ ቅዱስ ክእለት ይህቦ።[132]

## ምሉእ ርእሰ-ወፈያ (ህያብ)

**2346** ናይ ኹሉ ኃይላትን ተግባራትን ቅርጺ ወይ መግለጺ ፍቕሪ እዩ።
1827 ንጽሕና ድማ ኣብ ትሕቲ ጽላል ፍቕሪ ኮይና፣ ሰብ ንዝኸምኡ ሰብ ርእሱ
210 ምውፋይ ዚመሃረላ ቤት ትምህርቲ ትኸውን። ርእስኻ ምግታእን ምቍጽጻርን፡ እውን እንተኾነ ናብ ርእሰ-ወፈያ ዝዓለመ እዩ። ንጽሕና ነቲ ኣብ ግብሪ ዘውዕላ፣ ተኣማንነትን ፍቕርን ንዝመልአ (ሕያውነት) ኂሩት-ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ብጻዩ ንምምስካር ተብቅዖ።

**2347** ናይ ንጽሕና መንፈሳዊ ኃይሊ፡ ኣብ ምሕዝነት እያ እትዕንብብ። ነቲ
374 ዝሓረየናን፣ ፈተውቱ ዝገበረናን፣[133] ኵለንትናኡ ዘወፈየልናን፣ ኣብ'ቲ መለኮታዊ ሃብቱ ክንሳተፍ ዝደለየና፣ እቲ ተኸታሊኡ (ወደመዝሙር) ብኸመይ ከምዚኸተሎን ከምዚመስሎን ዜርኢ እዩ። ንጽሕና ናይ ዘይመዋትነት ተስፋን ርግጽነትን እያ።

ንጽሕና እትግለጽ ድማ፡ ኣውራ ኣብቲ ምስ ብጻይካ ዘሎካ ምሕዝነት እዩ። ኣብ ዚመሳሰል ኮነ፣ ኣብ ተጻይ ጾታ ዚምዕብል ምሕዝነት ንኹሉ ሰብ ጽቡቕ ነገር እዩ። ናብ መንፈሳዊ ሱታፌን ኅብረትን ይመርሖ።

## በብዓይነቱ መልክዕ ንጽሕና

**2348** ዝተጠምቀ ዘበሉ ኵሎም፣ ንንጽሕና ዝተጸውዑ እዮም። ክርስትያን ኣብነት ንጽሕና ንዝኾነ "ክርስቶስ ዝለበሰ እዩ"።[134] ኵሎም ምእመናን-ክርስቶስ ነቲ ፍሉይ ዝኾነ መደብ ሕይወቶም ብምሕላው ንጹሕ ሕይወት ኪሕዙ ተጸዊዖም ኣለዉ። እቲ ክርስትያን፡ ነቲ ስምዒታዊ ወገን-ሕይወቱ ብመደብ ንጽሕና ኪካየዶ፡ ኣብ ግዜ ጥምቀቱ ቃል ኣትዩ እዩ።

**2349** "ሰባት ምስ'ቲ ኵነታት ሕይወቶም ብዚሰማማዕ ኣገባብ፡ ንመደብ ንጽሕና
1620 ኪዅስኵሱ ይግባእ። ገሊኣቶም ድንግልና ወይ ከኣ ውፉይ ተዓቕቦ ይመርጹ፤ እዚ ድማ ብፍሉይ ኣገባብ፣ ብዘይተኸፋፈለ ልቢ ርእሶም ንኣምላኽ ጥራሕ ንኸወፍዩ የኽእሎም። ካልኦት ከኣ፡ ምርዑዋት ይኹኑ ንብሕቶም ዚነብሩ፣ ሞራላዊ ሕጊ ንኹሉ ብዚህቦ መምርሒ መሠረት ዚነብሩ እዮም"።[135] ሰበኺዳን፡ ነቲ ኪዳናዊ ንጽሕና ብእምነት ኪነብርዎ፣ ካልኦት ድማ ርእሶም ብምዕቃብ ንመደብ ንጽሕና ከዘውትርዎ ዝተጸውዑ እዮም፡-

---

[132] 1 ዮሓ 3፡3 ረአ
[133] ዮሓ 15፡15 ረአ
[134] ገላ 3፡27
[135] ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Persona Humana 11.

> ናይ ንጽሕና መንፈሳዊ ኃይሊ፡ ሠለስተ መልክዕ ኣለዎ። እቲ ቐዳማይ ናይ ሰብሓዳር እዩ፣ እቲ ኻልኣይ ናይ መበለታት፣ ሣልሳይ ድማ ናይ ደናግል እዩ። ነቲ ሓደ ወዲስና ነቲ ኻልእ ክንነጽግ ኣይንደልን…ንናይ ቤተክርስትያን ሥርዓታን ንብረታን ሃብታም ዚገብሮ ድማ እዚ እዩ።[136]

**2350** እቶም ንኪምርዓዉ ዚሰናደዉ ሕጹያት፣ ንመደብ ንጽሕና ብተዓቅቦ ኪሕልዉዎ ዝተጸውዑ እዮም። እዚ ናይ ምምዝዛን እዋን፣ ሓድሕዳዊ ምክብባር ከጥርዩ፣ ምትእምማን-ሓድሕድ ኪለማመዱ፣ ሓደ ነቲ ሓደ ካብ ኣምላኽ ከምዝመጸ ንኪቕበሎ ዘኽእሎ እዋን እዩ። እቲ ንኪዳናዊ ፍቕሪ ዝተመደበ መግለጺ ፍቕሪ፡ ነቲ ዕለተ-ኪዳኖም ክጽንሕዎን ኪዕቅብዎን ይግባእ። ብንጽሕና ንኺዓብዩን ንኺበስሉን ንሓድሕዶም ኪተሓጋገዙ ይርከቡ። 1632

## ተጻይ ንጽሕና ዚፍጸም ኃጢኣት

**2351** ፍትወተ-ሥጋ ኪበሃል ከሎ፣ ቀጥዒ ዘይብሉ ወሲባዊ (ናይ ርክብ ሥጋ) ታሕጓስ ንምርካብ ዚድርኽ ዘይሥሩዕ ድልየት እዩ። ወሲባዊ ፍትወት (ሥጋዊ ርክብ) ምእንቲ ርእሱ ጥራሕ ኢልካ፣ ካብ'ቲ ናይ ፍርየትን ሓድነትን ዕላማኡ ነጺልካ ዚፍጸም እንኪኸውን፣ ብሞራል ዘይሥሩዕን ቀጥዒ ዘይብሉን እዩ።

**2352** ወሲባዊ ፍትወትን ባህታን ንምርካብ፣ ኮነ ኢልካ ንናይ ብልዕትኻ መሌሊት ምልዕዓል፡ ግብረ-ጎቡእ (masturbation) ይበሃል። "ኣብ'ቲ ዘየቋረጸ ትውፊቱ፡ ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት ኮነ፣ ናይ ምእመናን ሞራላዊ ስምዒትን ርድኢትን ክልቲኡ፣ ብጽኑዕን ዘየጠራጥርን ኣገባብ ዘረጋግጾ፣ ግብረ-ጎቡእ ብመሠረቱ ዘይሥሩዕን ቀጥዒ ዘይብሉን ከቢድ ተግባር ምኳኑ እዩ።"[137] "ነቲ ወሲባዊ ብቕዓት(ክእለት) ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት፡ ኮነ ኢልካ ካብ መደብ ኪዳን ወጻኢ ምጥቃም፡ ተጻይ ዕላማኡ ኣብ ዝኾነ መዓላ ምውዓሉ ማለት እዩ።" ምኽንያቱ ድማ ወሲባዊ ደስታ ወይ ባህታ፡ "ካብ'ቲ ብሞራላዊ ሥርዓት ዚሕተት፣ ኣብ ሃለዋት ቅኑዕ ፍቕሪ ካብ ዚጭበጥ፣ ሓድሕዳዊ ውህበትን ሰብኣዊ ፍርየትን ዝዕላማኡን ትርጕሙን፡ ወሲባዊ ርክብ" ካብኡ ወጻኢ እዩ ዚድለ ዘሎ"[138]።

ኣብ ልዕል'ቲ ዚፍጽሞ ሰብን ሞራላዊ ኃላፍነቱን ሚዛናዊ ፍርዲ ንምሃብን፡ ጕስነታዊ ወይ ሓዋርያዊ ክትትል ንምፍጻምን ግን፣ ነቲ ብወገን ፍቕሪ ዘለዎ ዘይብስለት፣ ኣብኡ ናይ ዘብጸሖ ኃያል ልምዲ ብርታዐኡ፣ ናይ ስግኣትን ጭንቀትን ኵነታት፣ ወይ ከኣ ካልእ ሥነልቦናዊ ወይ'ውን ንሞራላዊ ስኽፍታን ተወቃስነትን ዘትሕት'ኳ እንተዘይኮነ ዘጕድል ኅብረተሰባዊ ረቛሒታት ኣብ ግምት ምእታው የድሊ። 1735

---

[136] ቅ.ኣምብሮዝዩስ De viduis 4, 23፡ PL 16, 255A.
[137] ክፍሊ ትምህርት እምነት CDF, Persona Humana 9.
[138] ክፍሊ ትምህርት እምነት CDF, Persona Humana 9.

**2353** *ዘይምርዑው ሰብኣይ ምስ ሓንቲ ዘይምርዕውቲ ሰበይቲ ዚገብሮ* (*ሥጋዊ ርክብ*) ወሲብ ዝሙት ይበሃል። ንኽብረ-ግርማ ሰባትን፣ ንኽብር'ቲ ብባሕሪኡ ንረብሓ ሰበኺዳንን ንውላድን፡ ንምዕባይ ውሉድን ዝዓለመ ሰብኣዊ ልማድ-ወሲብ ብኽቢድ ዚፃረር እዩ። ብተወሳኺ ድማ፡ ንመንእሳን ዜበላሹ እንኪኸውን ዓቢይ ዕንቅፋት እዩ።

**2354** *ግልጸተ-ነውር* (pornography) ኪበሃል ከሎ ድማ ሣልሳይ ኣካል ብግልጺ ኪርእዮ ኢልካ፣ ነቲ ዚፍጸም ዘሎ ክዉን፡ ክምዘለዎ፣ ወይ ብሥእሊ ኣመሳሲልካ ንምርኣይ፣ ካብ'ቲ ስቱር ሃለዋት-ተጻመድቲ ናብ ቃልዕ ምውጻእ እዩ። ነቲ ኪዳናዊ ተግባር፡ ቀጥዒ ዘይብሉ ስለዚገብሮ፣ ሰበኺዳን ንሓድሕዶም ንዝገብርዎ ዝዓመቑን ዝረቐቐን ውህበት-ሓድሕድ ስለዘበላሽዎ፣ ግልጸተ-ነውር ተጻይ ንጽሕና ዚፍጸም በደል እዩ። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ተግባር ንዚሳተፉ (ተዋሳእቲ፣ ሸየጥቲ፡ መላእ ሕዝቢ) ብኽቢድ ዚሃስዮም እዩ፤ ከመይሲ ንነፍስ
2523 ወከፎም ናይ ካልኦት ሰባት ናይ ትሑት ፍትወቶምን፣ ዘይፍቑድ ረብሓኦምን ዕላማ ዚገብሮም እዩ። ኣብ ሓሳብን ሕልምን ጥራሕ ኣብ ዘሎ ዓለም የጥሕሎም። ዓቢይ ገበን እዩ። ናይ ግልጸተ-ነውር (pornography) ስራሓትን፡ ምዝርጋሓትን፡ ብናይ ሲቪል (*መንግሥታዊ*) ሰበሥልጣን ኪእገድ ይግበኦ።

**2355** ኣብኡ ንዚነጥፍ ሰብ፡ *መጋበሪ ወሲባዊ ፍትወት ስለዚገብሮ፡ ምንዝርና* ንሰብኣዊ ክብሩ ዘዋርድ እዩ። ነዚ ኢሉ ገንዘቡ ዚኸፍል ከኣ ተጻይ ርእሱ
1735 ብኽቢድ የጎጥእ፣ ኣብ ጥምቀቱ ቃል ንዝኣተወሉ ንጽሕናኡ ይግህስ፣ ነቲ ሕንጻ (ቤተመቕደስ) መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ሥጋኡ የርክስ።[139] ምንዝርና ማኅበራዊ መቕሠፍቲ እውን እዩ። ብዚበዝሕ ነንስቲ ዚትንክፍ'ኳ እንተኾነ፣ ሰብኡትን ሕፃናትን መንእሰያትን እውን ዘሳትፍ እዩ። (ንሕፃናትን መንእሰያትን ብዚርኢ፣ ተወሳኺ ናይ ዕንቅፋት ኃጢኣት'ውን ኣሎ)። ኣብ ግብረ ምንዝርና ምውፋር ወትሩ ዓቢይ ኃጢኣት እኳ እንተኾነ፣ ብምፍርራሕ ወይ ብናይ ማኅበራዊ ሕይወት ጽልዋን ተፅዕኖን ዚፍጸም ምስዚኸውን ናይ'ቲ በደል ተሓታትነት ኪጐድል ይኽእል።

**2356** *ምዕማጽ ወይ ምግሳስ* ኪበሃል ከሎ፡ ምስ'ቲ ካልእ ሰብ ብዘይድልየቱ
2297 ብኃይሊ ወሲብ ምፍጻም እዩ። እዚ ነገር'ዚ ንመደብ ፍትሕን ርትዕን፣ ንጽሕናን
1756 ዘዋርድ እዩ። ምዕማጽ ወይ ምግሳስ፡ ነፍስወከፍ ንዘለዎ መሰል፣ ማለት ናይ
2388 ክብርን፡ ናጽነትን፡ ናይ ግዙፍ ኣካላውን ሞራላውን ምልኣት ዜቕስል እዩ። በዚ ነገር'ዚ እቲ ተሃስዩ ዘሎ ንምሉእ ሕይወቱ ዘሰንዮ ጉድኣት ኪኸከም ይርከብ። ወትሩ ግን ብቐንዱን ብመሠረቱን ግብረ-ክፍኣት እዩ። ካብዚ ዝገደደ ከኣ፣ ወለዶም ወይ ከኣ፡ መምህራኖም ኮይኖም፡ ንኪምህርዎም ሕድሪ ኣብ ልዕሊ ዝተዋህቡዎም ሕፃናት ዚፍጽምዎ ምግሳስ (*ኣውስቦ-ዘመድ* =Incest) እዩ።

---

[139] 1 *ቆሮ* 6፡15-20 *ረአ*

## ንጽሕናን ግብረ-ሰዶምን (homesexuality)

**2357** ግብረ-ሰዶም ክንብል ከሎና፣ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰብኣይን፣ ወይ ከኣ ኣብ መንጎ ሰበይትን ሰበይትን ንዚፍጸም ርክብ ዚርኢ እዩ። እዚኣቶም ፍሉይን ዓብላልን ብዝኾነ ወሲባዊ ስሕበትን ስምዒትን ናብ'ቶም ብጾታ ዚመስልዎም ሰባት ዚኣትዉ እዮም። ኣብ'ዚ ኣማኢት ዓመታትን ኣብ ዝተፈላለየ ባህልታትን ዝተፈላለየ መልክዕ ኪሕዝ ጸኒሑ ኣሎ። ሥነልቦናዊ ኣመጻጽኣኡን ኣመዓባብላኡን ብዚበዝሕ ኪፍለጥ ኣይተኻእለን። ንግብረ-ሰዶም ከም ዓቢይ ግብረ-ነውሪ[140] ዚግምት ትውፊት-ቤተክርስትያን፣ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ተመሥሪቱ "ግብረ-ሰዶም ብመሠረቱን ብባሕሪኡን ዘይሥሩዕ ተግባር እዩ"[141] ኪብል ወትሩ ምስመሃረ እዩ። ተጻይ ሕገ-ባሕርይ እዩ። ንግብረ-ወሲብ ካብ'ቲ ናይ ሕይወት ህያብ ዚፈልዮን፣ ፍረ-ሕይወት ንኸይልግስ ዚዓጽዎን እዩ። ካብ'ቲ ንጹሕ ፍቕራውን ስምዒታውን፡ ወሲባውን ሓድሕዳዊ ምምልላእ ዚፍልፍል ኣይኮነን። ብዝኾነ ይኹን ምኽንያትን ኵነታትን ኪፍቀድ ዘይከኣል እዩ። 2333

**2358** ዓሚቚ ዝንባሌ ሰዶማዊ ተግባር ናይ ዘለዎም ደቂተባዕትዮን ደቀ-ንስትዮን ኣኃዝ ሸለል ዚበሃል ኣይኮነን። እዚ ዝንባሌ'ዚ ብመሠረቱን ብቕንዱን ዘይሥሩዕ ኮይኑ ንመብዝሕትኦም ሓደ ዓይነት ፈተነ እዩ። ብርድኢትን ብናይ ርኅራኄ ስምዒትን ክንቀርቦምን ከነቀራርቦምን ይግባእ። ነኣኣቶም ብዚርኢ ፍትሓዊ ዘይኮነ ናይ ሌላን ጕሌላን ኣንፈትን ምልክትን ኪወገድ ዘለዎ እዩ። እዞም ሰባት'ዚኣቶም ኣብ ሕይወቶም ፍቓድ-ኣምላኽ ኪፍጽሙ፣ ክርስትያን እንተኾይኖም ድማ፣ ብሰንክ'ዚ ሃለዋት'ዚ ንዚመጽኦም ጸገማት ምስ ናይ ጐይታ መሥዋዕቲ-መስቀል ከወሃህድዎ ተጸዊዖም ኣለዉ።

**2359** ዝንባሌ ግብረ-ሰዶም ዘለዎም ሰባት'ውን እንተኾኑ ንመደብ ንጽሕና ዝተጸውዑ እዮም። ውሽጣዊ ናጽነት ብዚምህሮም ብናይ ርእሰኻ ምግታእ መንፈሳዊ ኃይሊ ተሓጊዞም፣ ገሊኡ ግዜያት ድማ በቲ ረብሓ ዘይጽበ መደብ-ዕርክነት (ምሕዝነት) ተደጊፎም፣ ብጸሎትን ብጸጋ ምሥጢራትን ተሰንዮም፣ በብቑሩብ እሞ ብጽንዓት፣ ናብ ክርስትያናዊ ፍጽምና ገጾም ኪስጕሙ ዚኽእሉን ዚግበኦምን እዮም። 2347

## III. ፍቕሪ ሰበኺዳን (ሰብኣይን ሰበይትን)

**2360** ወሲብ ብመሠረቱ ንኪዳናዊ ፍቕሪ ሰብኣይን ሰበይትን ዝተሠርዐ እዩ። 1601
እቲ ኣብ መደብ ኪዳን ዚፍጸም ናይ ሰበኺዳን ሥጋዊ ርክብ፣ ናይ'ቲ መንፈሳዊ

---

140 ዘፍ 19:1-29፣ሮሜ 1:24-27፣1 ቆሮ 6:10፣1 ጢሞ 1:10 ረኣ
141 ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Persona Humana 8

ኀብረቶምን ሓድነቶምን ምልክትን ውሕስነትን እዩ። ኣብ መንጎ ዝተጠምቁ ሰባት ዚፍጸም ናይ ኪዳን ርክብ በቲ ምሥጢር ዝተቐደሰ እዩ።

**2361** "ናይ ሰበኺዳን ፍሉይ ተግባር ብዝኾነ ኣገባብ ጥራሕ ሰብኣይን
1643 ሰበይትን ንሓድሕዶም ዚወሃሃቡሉ ወሲብ፣ ንግዙፍ ሥጋዊ መዳይ-ሕይወት በይኑ
2332 ዚርኢ ዘይኮነስ፣ ነቲ ዝዓመቘን ዝረቐቐን ህላዌ ሰብኣዊ ኣካል ብቐንዱ ዚትንክፍ
ተግባር እዩ። እዚ ድማ ብግቡእን ቅኑዕን ሰብኣዊ ኣገባብ (መንፈስ) ኪፍጸም
ዚከኣል፣ሰብኣይን ሰበይትን ብዅለንትናኦም እሞ ክሳብ ግዜ-ሞቶም ንሓድሕዶም
ናይ ዚውፈዩሉ ፍቕሪ ቀንዲ ኣካል ወይ ክፋል ኮይኑ ምስዚርከብ ጥራሕ እዩ።"[142]

1611 *"ጦብያ ኸኣ ካብ ዓራት ተንሢኣ፣ ንሣራ ኸኣ፡ "ኣቲ ጓውተይ! ተንሥኢ። እግዚኣብሔር ብዓይኒ ምሕረት ኪጥምተናን ኪሕልወናን ንጸሊ" በላ። ሣራ ተንሢኣት፣ ብሓንሳብ ከኣ ኪጽልዩ ጀመሩ፣ እግዚኣብሔር ኪሕልዎም ከኣ ለመኑ። ሽዑ ጦብያ ከምዚ ዚስዕብ ኢሉ ጸለየ፡- "ኣኣምላኽ ኣቦታትና ዝኾንካ እግዚኣብሔር ተመስገን! ስምካ ድማ ካብ ዘለዓለም ንዘለዓለም ይኽበር። ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘለዉ ዅሎም ፍጥረታትካ ንዘለዓለም ይወድሱኻ። ንኣዳም ዝፈጠርካ፣ ሰበይቲ ክትኮኖ ንሔዋን ዝሃብካዮ ከኣ ንስኻ ኢኻ። ክትድግፎን ክትረድኦን ሃብካዮ። ካብ ክልቲኦም ከኣ ኩሉ ዘርኢ-ሰብ ተወልደ፤ 'ሰብኣይ በይኑ ኪነብር ጽቡቕ ኣይኮነን፣ ነኣኡ እትሰማማዕ ክገብረሉ እየ' ዝበልካ ንስኻ ኢኻ። ኦ! ጐይታይ! ንሣራ ዝመረጽክዋ ቅኑዕ ስለዝኾነ ደኣ'ምበር ብሥጋ ስለዝበሃግክዋ ኣይኮነን። ነኣይ ኮነ ነኣኣ ብዓይኒ-ምሕረት ጠምተና፤ ክሳብ እነኣርግ ብሓደ ክንነብር ከኣ ጸጋኻ ሃበና" ድማ በለ። ሽዑ ክልቲኦም "ኣሜን" በሉ። በታ ለይቲ'ቲኣ ኸኣ ብሓደ ደቂሶም ሓደሩ።*[143]

**2362** ንጹሕን ጥቡቕን ዝኾነ ናይ ሰበኺዳን ኀብረትን ሓድነትን ዚፍጸመሉ ኪዳናዊ ተግባር፡ ልዑልን ክብሪ ዚግበኦን እዩ። ናይ'ዚ ተግባራት'ዚ ሰብኣዊ ኣገባቡ፣ ነቲ ዘመልክቶ ሓድሕዳዊ ርእሰ ወፈያ ዘማዕብል፣ ነቶም ሰበኺዳን ድማ ብደስታን ምስጋናን ዚመልኦም እዩ።"[144] ወሲብ ናይ ደስታን ባህታን ምንጪ እዩ፡-

*ኣብቲ ግብረ ወሊድ ብቐንዱ፡ ሰበኺዳን ናይ ሥጋን መንፈስን ባህታን ደስታን ኪስመዮም... ባዕሉ ፈጣሪ ዝሠርዖ መደብ እዩ። ምእንት'ዚ እቶም ሰበኺዳን ነዚ ባህታን ደስታን'ዚ እንተደለዩዎ፡ ክፉእ ነገር ኣይፍጽሙን። ፈጣሪ ነኣኣቶም ኢሉ ንዝመደቦ ነገር እዮም ዚቕበሉ ዘለዉ። ምስኡ ድማ፣ ሰበኺዳን ነቲ ናይ ቅኑዕ ምጥንና ደረታት ብኸመይ ከምዚሕልዉዎ ኪፈልጡ ይግባእ።*[145]

---

[142] **ስድራቤት** FC 11
[143] *ጦቢ.* 8:4-9
[144] **ፍሥሓን ተስፋን** GS 49 § 2
[145] **ፕዮስ መበል** 12 Discourse, October 29,1951.

2363 እዚ ናይ ሰበኺዳን ምውህሃድ፡ ነቲ ድርብ ገጽታ ዘለዎ ዕላማ-ኪዳን፣ ማለት ብርእሶም ናይ'ቶም ሰበኺዳን ረብሓን፣ ምትሕልላፍ ሕይወትን ኪጭብጥ ይርከብ። ናይ ሰበኺዳን መንፈሳዊ ሕይወት ምስ ተለወጠ፣ ናይ ኪዳን ረብሓን ቊምነገርን፣ ናይ ስድራቤት መጻኢ ዕድልን ኣብ ድንገት ምስወደቐ ጥራሕ እንተዘይኮይኑ፣ እዚ ዝተጠቕሰ ክልተ (values) ትርጉም ወይ ክብሪ-ኪዳን ኪፈላለ ኣይክእልን እዩ።

ምእንት'ዚ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ወሲባዊ (ኪዳናዊ) ፍቕሪ ናይ ተኣማንነትን ፍርየትን፡ ክልተ ግዴታታት ወይ ግቡኣት ዝሓቘፈ እዩ።

## ኪዳናዊ ተኣማንነት 1646-1648

2364 ብኺዳን ዝተወሃሃዱ ሰብ ሓዳር" ነቲ ብፈጣሪ ዝተሠርዐን፣ ብሕግታቱ 1603
ዝተመርሐን፣ ናይ ሕይወትን ፍቕርን ጥቡቕ ዝኾነ ሱታፌ ወይ ኅብረት የቕውሙ፤ 1615
እዚ ድማ፡ ኣብ'ቲ ዘይዕጸፍ ናይ ኪዳናዊ ማሕላ ቃል-ሥምረቶም ዝተመሥረተ እዩ።"[146] ክልቲኣቶም፡ ከኣ ናይ መወዳእታ ወሳንን፡ ዥለንትናውን ብዝኾነ ኣገባብ ንሓድሕዶም ይወሃሃቡ። ደጊም ክስ ክልተ ኣይኮኑን፤ ካብ ሕጂ ንደሓር ሓደ ሥጋ የቕውሙ። እቲ ብናጻ ዝኣተዉዎ ወይ ድማ ዝተኸልዎ ኪዳን፣ እቶም መጻምዲ ሰበኺዳን ከም ሓደ ኡንኮን ፍሉይን ዘይፍታሕን ገቢሮም ዚሕልዉዎ ግዴታ የስዕበሎም።[147] "እምበኣርከስ፡ ነቲ ኣምላኽ ሓደ ዝገበሮ፡ ሰብ ኣይፍለዮ"[148]።

2365 ተኣማንነት ማለት ንዝሃብካዮ ወይ ዝኣቶኻዮ ቃል (መብፅዓ) ብጽንዓት 1640
ምሕላው እዩ። ኣምላኽ እሙን (ዚእመን) እዩ። ምሥጢረ ተኽሊል (ኪዳን) ድማ፡ ንሰብኣይን ሰበይትን፣ ናብ'ቲ ክርስቶስ ንቤተኽርስትያኑ ዘለዎ ተኣማንነት ከም ዚኣትዉ ይገብሮም። በቲ ኪዳናዊ ንጽሕና ኸኣ፡ ኣብ መንጎ ዓለም ኮይኖም ነዚ ዓቢይ ምሥጢር ምስክርነቶም ይህቡ።

> ነፍስወከፍ መንእሰይ በዓል ሓዳር ንበዓልቲ ኪዳኑ ኪብላ ብዛዕባ ዘለዎ፣ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ዘቕርቦ ሓሳብ እዚ እዩ፦ ኣብ ሑቕፎይ ተቐቢለኪ፣ እፈትወኪ፣ ካብ ገዛእ ሕይወተይ ኣብሊጸ ኣፍቅረኪ ኣሎኹ። እዚ ሕጂ ዘሎ ሕይወት ዋጋ የብሉን፤ እቲ ኣባይ ዚቃጸል ዘሎ ሕልሚ ግን ነዛ ሕይወት'ዚኣስ ምሳኺ ከሕልፋ'ሞ፣ ተሰናድዩልና ኣብ ዘሎ ሕይወት ከምዘይንፈላለ ርግጽነት ክንረክብ.....ልዕሊ ኹሉ ነገር ንፍቕርኺ ኣቐድም። ምስ ሓሳባትኪ ካብ ዘይምስምማዕ ኣቢሉ ዚመርርን ዘሳቕን ነገር ኪህልወኒ ኣይክእልን።[149]

---

[146] ፍሥሓን ተስፋን GS 48 § 1
[147] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1056 ረአ
[148] ማር 10፡9፣ማቴ 19፡1-12፣1 ቆሮ 7፡10-11 ረአ
[149] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ Hom. In Eph. 20, 8፡ PG 62, 146-147.

1652-1653 ## ኪዳናዊ ፍርየት (fecundity)

**2366** ኪዳናዊ (ወሲባዊ) ፍቕሪ ብባሕሪኡ ናብ ምፍራይ ዝዘንበለ ስለዝኾነ፣ ፍርየት ህያብ እዩ፤ ናይ ኪዳን መወዳእታ ዕላማ'ውን እዩ። ውሉድ ከኣ ኣብ ልዕል'ቲ ናይ ሰበ'ኺዳን ሓድሕዳዊ ፍቕሪ፣ ከም ተወሳኺ ኮይኑ ካብ ግዳም ዚመጽእ ዘይኮነስ፣ ከም ፍሬኡን ፍጻሜኡን ኮይኑ፣ ካብ'ቲ ቀንዲ ምንጪ ሓድሕዳዊ ወፈያ ዚፍልፍል እዩ። ስለ'ዚ እታ "ንሕይወት እትድግፍ"[150] ቤተ ክርስትያን "ኹሉን ነፍስወከፍን ኪዳናዊ ተግባር ዘበለ ብርእሱ፡ ሕይወት ንምሃብን ንምትሕልላፍን ድልው ወይ ጥጡሕ ኪኸውን ግዲ እዩ"[151] ክትብል ትምህር። እዚ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ብናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት ዝተገልጸ ፍሉይ ትምህርተ-እምነት፣ ብኣምላኽ ኣብ ዝተሠርዐ ዘይነጻጸል ርክብ ዝተመሥረተ እዩ። ነዚ ናይ ኪዳናዊ ተግባር ባሕርያዊ ነገር ዝኾነ ኣዋሓድን (ሓደ ዚገብር) ኣዋላድን ትርጉም ዘለዎ ርክብ፣ ወድሰብ ብናቱ ገዛእ ተበግሶ ኪበትኮ ኣይክእልን እዩ።"[152]

**2367** ሕይወት ኪህቡ ስለዝተጸውዑ፣ ሰበ'ኺዳን ኣብ ናይ ፈጣሪ ክእለትን፣
2205 ናይ ኣምላኽ ኣባትነትን ተሳተፍቲ ይኾኑ።[153] "ሰብኣዊት ሕይወት ምትሕልላፍን፡ ውሉዶም ብዚግባእ ምዕባይን፣ ነኣኣቶም ዝተመደበ ተልእኮ ምዃኑ፡ ሰበ'ኺዳን ኪግንዘብዎ ይግባእ። በዚ ኸኣ ኣብ'ቲ ናይ ኣምላኽ ፈጣሪ መደብ ፍቕሪ ተሓባበርቱ፣ ብመጠኑ'ውን ተርጐምቱ ይኾኑ ከምዘለዉ ኪርድእዎ ዘለዎም እዩ። ነዚ ግዴታ'ዚ ከኣ ብመንፈስ ሰብኣውን ክርስትያናውን መዝነት ኪፍጽምዎ ይርከቡ።"[154]

**2368** ናይ'ዚ መዝነት'ዚ ፍሉይ ዝኾነ ጐድኑ፣ ንመደብ ወሊድ ዚግድስ
2368 እዩ። ብቑዕ ብዝኾነ ምኽንያት ሰበ'ኺዳን፡ ብግዜ ኣረሓሒቖም ምውላድ ኪደልዩ ዚከኣል እዩ። እዚ ድልየቶም ግን፣ ንኃላፍነታዊ ወላዲ ምስ ዚግባእ ልግስን ተወፋይነትን ብዘሳኒ ኣገባብ ደኣ'ምበር፡ ነኣይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ብዚብል ርእሰ-ፍትወት ዝተመርሐ ከምዘይኮነ ከረጋግጹ ግቡኦም እዩ። ብተወሳኺ፣ ንኹሉ ኣካያይዳኦምን ኣተናኦምን፡ ምስ'ቲ ናይ ሥነምግባር ቅኑዕ መምዘኒታት ከሰማምዕዎ ይግባእ፡

> *ንኪዳናዊ ፍቕሪ፡ ኃላፍነታዊ ምስ ዝኾነ ምትሕልላፍ-ሕይወት ንምስምማዕ እንኪድለ፣ እቲ ናይ ኣካያይዳ (ኣገባብራ) ሞራላውነት፡ ኣብ'ቲ ቅኑዕ ኀሊናን፣ ናይ ዕላማ ፍርድን ጥራሕ ኪምርኰስ ኣይከኣልን። በቲ ቅኑዕን መሠረታውን ዝኾነ መምዘኒታት ኪውሰን ኣለዎ። እዚ መምዘንታት'ዚ ድማ፡ ካብ ባሕርይ-ሰብን ተግባራቱን ብቐንዱ ዝተወሰደ፣ ብመንፅር'ቲ ሓቀይና ፍቕሪ ንናይ ሓድሕዳዊ ርእሰ-ወፈያ ኮነ፡ ናይ ሰብኣዊ ፍርየት ምልኣት-*

[150] *ስድራቤት* FC 30
[151] *ሕይወት-ሰብ* HV 11
[152] *ሕይወት-ሰብ* HV 12፣ፕዮስ *መበል* 11 encyclical, Casti connubii. *ረኣ*
[153] *ኤፌ* 3፡14፣*ማቴ* 23፡9 *ረኣ*
[154] *ፍሥሓን ተስፋን* GS 50 § 2

> ትርጉም ዚሕሉ መምዘኒታት ኪኸውን ግዲ እዩ። እዚ ኪርከብ ዚከኣል ከኣ፡ ናይ ኪዳን መንፈሳዊ ኃይሊ፡ ብቕንዕና ልቢ ኣብ ግብሪ ኪውዕል እንተተረኺበ ጥራሕ እዩ።[155]

**2369** ንኽልቲኡ ኣገዳሲ መዳያት፣ ነቲ ኣዋሓዲ (ሓደ ዚገብር) ኮነ ኣዋላዲ መዳያት ውሕስነት ብምሃብ፣ ኪዳናዊ ተግባር፣ ነቲ ሓቀይና ሓድሕዳዊ ፍቕርን፣ ናብ'ቲ ልዑል ጸዋዕታ-ወላድነት ንዘተኰረ፡ ምልኣት ንትርጕሙ ይሕሉ[156]።

**2370** ሃለዋትካ ብምስትውዓልን፣ ንወርኃ-ጽጌ ብምሕላውን እትኽተሎ መዋዕለ-ተዓቅቦ፣ ማለት ናይ መደብ ወሊድ ብልኃት፣ ምስ'ቲ ቅኑዕን መሠረታውን ናይ ሥነምግባር (ሞራል) መምዘኒታት ዘሳኒ እዩ።[157] እዚ ብልኃት'ዚ ንናይ'ቶም ሰበኺዳን ሥጋዊ ኵነታት ዚሕሉን፣ ኣብ መንጎኦም ንዚህሉ ሕንቁቕን ልስሉስን ርክብ ዘተባብዕ፣ ከምኡ'ውን ሓቀይና ንዝኾነ ናጽነት ኪለማመዱ ዚሕግዞም እዩ። ብተጻዩ "እቲ ኪዳናዊ ወሲብ ቅድሚ ምፍጻሙ፣ ወይ ብዚፍጸመሉ ወቕቲ፣ ወይ ከኣ እቲ ባሕርያዊ ውጽኢቱ ኣብ ዚምዕብለሉ ኵነታት፣ ከም ዕላማ ይኹን ከም ገለ መጋበሪ ዚቕርብ፡ ንውላድ ዚኽልእ (ዚዓግት) መደብ ወይ ተግባር" ብመሠረቱ ክፉእ እዩ[158]።

> ምእንት'ዚ እቲ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ኵለንተናዊ ሓድሕዳዊ ርእሰ-ምውህሃብ፡ ዚገልጽ ጥልቂ-ሓሳብ (ወይ ቋንቋ) በቲ መደብ ከላኤ-ጽንስ (Contraception)፡ ንጹር ብዝኾነ ተጻራሪ ሓሳብን መደብን፣ ማለት ነቲ ካልእ ወገን ርእሰኻ ብምልኣት ብዘይምሃብ፡ ፈጺሙ ኪንጸግ ይርከብ ኣሎ። እዚ ድማ ኮነ ኢልካ ናብ ዚግበር ንሕይወት ናይ ምንጻግ ተግባር ዘብጽሕ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ርእሰኻ ብምልኣት ንኽተወፊ ንዚጽውዕ፣ ንናይ ኪዳናዊ ፍቕሪ መሠረታዊ ሓቂ ከም ተፋልስ ዚገብረካ እዩ..... ኣብ መንጎ ከላኤ-ጽንስን፣ ናይ ወርኂ-ጽጌ ብልኃትን ዘሎ ሥነሰብኣውን ሞራላውን ፍልልያቱ.... ኣብ መወዳእታኡስ፡ ኪተዓረቕ ንዘይክእል ሥነሓሳባት፣ ማለት ንጕዳይ ሰብኣዊ ኣካልን ንሰብኣዊ ሥነወሲብን ዚትንክፍ ኮይኑ ይርከብ።[159]

**2371** "ሰብኣዊ ሕይወት ኮነ፡ ናይ ምትሕልላፉ ግዴታ፡ ኣብ ናይ'ዚ ምድራዊ 1703
ሕይወት ኣድማስ ጥራሕ ተደሪቱ ዚተርፍ ከምዘይኮነ ኩሉ ሰብ ኪርደኦ ዘለዎ ጕዳይ እዩ። እቲ ቅኑዕ ግምቱን ርድኢቱን ከምኡ'ውን ምሉእ ትርጕሙን ኪብጻሕ ዚከኣል ብመንፅር ዘለዓለማዊ ዕጫ-ወድሰብ ኪረአ ከሎ ጥራሕ እዩ።"[160]

**2372** ሃገር ብናይ ዜጋታታ ድሕንነት መዝነት ኣለዋ። በዚ መዝነታ'ዚ ድማ 2209
ንናይ ቍጽሪ-ሕዝባ ዕብየትን ሃለዋትን ብዚርኢ ሓበሬታ ንምሃብ ክትንቀሳቐስ ግቡኣ እዩ። እዚ ግን ቅኑዕን ጭቡጥን ከምኡ'ውን ክብሪ ብዚመልኦ ኣገባብ

[155] ፍሥሓን ተስፋን GS 51 § 3
[156] ሕይወት-ሰብ HV 12 ረኣ
[157] ሕይወት-ሰብ HV 16
[158] ሕይወት-ሰብ HV 14
[159] ስድራቤት FC 32
[160] ፍሥሓን ተስፋን GS 51 § 4

ዚወሃብ ሓበሬታ'ምበር፣ ብሥልጣናዊ ምልክን፡ ብናይ ኣስገዳድ ኣገባባትን ዚካየድ ኣይኮነን። ውሉድ ናይ ምፍራይን፣ ብዚግባእ ንምዕባዮምን ቀዳማይ መዝነት ንዝተዋህቦም ሰብኪዳን ተበግሦኦም እታ ሃገር ክትኰልፎ ሕጋዊ መሰል የብላን።[161] ኣብ'ዚ መዳያት'ዚ ንሕጊ ሞራል ብዚፃረር ኣገባብ ምክያድ ፈጺሙ ዘይፍቀድ እዩ።

## ህያብ ውሉድ

**2373** ብውላድ ዝማዕረገ ሰፊሕ ስድራቤታት፣ ብወገን ቅዱስ መጽሓፍ ኮነ ብናይ ቤተክርስትያን ንቡር ልምዲ፡ ከም ናይ ቡራኬ-ኣምላኽ ምልክትን፡ ናይ ወለዲ ለጋሥነትን ኮይኑ ኪረአ ጸኒሑ።[162]

**2374** መኻናት ምኳኖም ዘረጋግጹ ሰበኺዳን ብዙሕ ኪሣቐዩ ይረአዩ። ኦ!
1654 እግዚኣብሔር "እቲ እትህበንስ እንታይ ኮን እዩ? እነሆ ኣነ ውሉድ የብለይን"[163] ኪብል ኣብርሃም ሓተተ። ራሔል ከኣ "ውሉድ ሃበኒ፣ እንተዘይኮነ ክመውት እየ"[164] ክትብል ንያዕቆብ ሰብኣያ ኣጨነቐትሉ።

**2375** ንሰብኣዊ መኻንነት ንምፍዋስ፡ ዚግበር ምርምርን መጽናዕትን ኪተባባዕ
2293 ዚግበኦ'ኳ እንተኾነ፣ "ብመሠረት መደብን ፍቓድን ኣምላኽ ኣብ ጠቕምን ኣገልግሎትን ወድሰብ፣ ማለት ነቲ ዘይገሃስ መሰላቱ ኮነ ቅኑዕን ምሉእን ረብሓታቱ ዚሕሉ"[165] ምስዚኸውን እዩ።

**2376** ብዘይካ'ቶም መጻምዲ-ኪዳን፡ ንካልእ ሰብ ዜእቱ "ረድኤት-ወላድ" surrogate motherhood (ዘርኢ-ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ምሃብ፣ ማሕፀን ንኻልእ ከምዘገልግል ምግባር)፣ ማለት ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ምፍልላይ ዜስዕብ ተግባራት ከቢድን ኢሞራላውን እዩ። እዚ ብልኃት'ዚ (ካብ ዝተፈላለዩ ዘርኢ ኣራኺብካ ዚግበር ሰብ-ሰርሖ ምጽሩይ) እቲ ሕፃን፡ በኣኡ ኪፍለጡ ዘለዎምን፣ ብማእሰር ኪዳን ካብ ዝተጣመሩን ወለዱ ኪውለድ ንዘለዎ መሰሉ ዚግህስ እዩ። እዚ ድማ እቶም መጻምዲ "ሓደ በቲ ሓደ ወገን ኣቢሉ (ገቢሩ) ጥራሕ፣ ኣቦ ወይ ኣደ ኪኸውን ንዘለዎ መሰል" ዜሕድጎም ወይ ዚነፍጎም እዩ።"[166]

**2377** ነቶም ብኺዳን ዝተጸመዱ ጥራሕ ዚትንክፍ ብልኃታት እንኪኸውን (ካብኣቶም ንዝተረኸበ ዘርኢ ብሰብ-ሰርሖ ኣገባብ ምጽሩይ)፣ መንይፈልጥ ብዙሕ ዘጸይፍ እኳ እንተዘይኮነ፣ ብሞራል ግን ተቐባልነት ኣይህልዎን። ነቲ ወሲባዊ ተግባር ካብ'ቲ ወሊዳዊ ተግባር ኪንጽሎ ይርከብ። ነቲ ሕፃን ናብ ህላዌ ዘምጽአ ዘሎ ኣገባብ፣ ክልተ ሰባት ንሓድሕዶም ዚወሃሃቡሉ ተግባር ዘይኮነስ፣ "ንናይ'ቲ

[161] ሕይወት-ሰብ HV 23፣PP 37 ረአ
[162] ፍሥሓን ተስፋን GS 50 § 2 ረአ
[163] ዘፍ 15፡2
[164] ዘፍ 30፡1
[165] ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Donum Vitae intro , 2.
[166] ክፍሊ ትምህርተ እምነት CDF, Donum Vitae II, 1.

ዕሽል (ድቂ) ሕይወትን መንነትን ኣብ ኢ.ድ-ሓካይምን፡ ተመራመርቲ ሥነሕይወትን ዘውድቕን፣ ንናይ ወድሰብ ጥንተ-መበቈልን ዕድልን ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሥነኪነት (ቴክኖሎጂ) ዚገብር ሾነታት እዩ። እዚ ዝዓይነቱ ግዝኣት ንርእሱ፣ ንወለዲ ኮነ ንሕፃናት ማዕረን ሕቡርን ዝኾነ ክብረትን ማዕርነትን ዚፃረር እዩ።"[167] "ግብረ-ወሊድ (ተዋልዶት) ናይ'ቲ ኪዳናዊ (ወሲባዊ) ፍቕሪ ፍረ ማለት ናይ'ቲ ኪዳናዊ ሓድነት ፍሉይ ተግባር ውጽኢቱ ኮይኑ ዝተደልየ እንተዘይኮይኑ፣ ብሞራላዊ መዳይ እቲ ገዛእ ፍጽምናኡን ዕቤቱን ይሕደግ ኣሎ ማለት እዩ፡... ውሉድ ምፍራይ፡ ምስ ሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ብዚሳነ መልክዑ ኪፍጸም ዚከኣል፣ ኣብ መንጎ ኪዳናዊ ርክብን፡ ዚወሃቦ ትርጉምን፣ ንሓድነት ሰብኣዊ ፍጡር ዚግባእ ግምትን ንዘተኣሳስሮ ኩሉ ብዚግበር ኣኽብሮትን ጥራሕ እዩ።[168]

**2378** ብመሠረቱ ውሉድ "ይግበኣኒ እዩ" እትብሎ ዘይኮነስ ህያብ እዩ። "ናይ ሓደ ኪዳን ዝለዓለ ህያብ" ከኣ ሰብ እዩ። ስለ'ዚ ውሉድ ከም ሓደ ንእሽቶይ ቊራጽ ንብረት (ኣቕሓ) ዚሕሰብ፣ "ውሉድ ክረክብ መሰል ኣሎኒ" ናብ ዚብል ሥነሓሳብ ዚመርሕ'ውን ኣይኮነን። በዚ መዳይ'ዚ፡ እቲ ውሉድ ጥራሕ'ዩ ብቑዕን ግቡእን መሰላት ዘለዎ፤ እዚ ኸኣ "ፍሉይ ናይ ዝኾነ ኪዳናዊ ፍቕርን ግብረ-ርክብን ፍረ" ኪኸውን ዘለዎ መሰል፣ "ካብ እዋን ጽንሰቱ ኣትሒዙ ከም መጠን ሰብ ኪኽበር (ኪግመት)" ዘለዎ መሰል እዩ።[169]

**2379** ግዙፍ መኻንነት፡ ፍጹም ወይ ዓቢይ ጒድኣት ከምዘይኮነ ወንጌል ዘነጽሮ እዩ። ሕጋውን ብቑዕን ዘበለ ሕክምናዊ መስርሕ ኩሉ ድሕሪ ምፍታን ጋና ውሉድ ከፍርዩ ዘይተዓደሉ ሰበኺዳን፣ ነዚ ሥቓያቶምን ርእሶምን ናይ መንፈሳዊ ፍርየት ዓይነማይ ምስ ዝኾነ መስቀል ጐይታ ከወሃህዱ ይግበኦም። ሰብ ንዘይብሎም ሕፃናት ደቂ-ጡብ ገቢሮም ብምቕባልን ምዕባይን፣ ከምኡ'ውን ንኻልኦት ብዚወሃብ ኣገልግሎትን፡ ለጋስነቶም ኪገልጹ ይኽእሉ።

# IV. ተጻይ ክብሪ-ኺዳን ዝኾነ በደላት

## ዝሙት

**2380** ዝሙት ኪበሃል ከሎ፣ ንኪዳናዊ ጥልመት የመልክት። እንተወሓደ 1611
ሓዲኦም፡ ምስ ካልእ ብኺዳን ዝተጻመዱ፣ክልተ ወገናት፣ ወላ ንግዜኡ'ውን ይኹን፣ ወሲባዊ ርክብ ምስ ዘካይዱ፣ ዝሙት ይፍጽሙ። ክርስቶስ እሞ ኸኣ ነቲ ናይ ትምኒት ዝሙት ከይተረፈ ይኹንኖ።[170] ሻድሻይ ትእዛዝ ኮነ ሓዲሽ

[167] *ክፍሊ ትምህርቲ እምነት* CDF, Donum Vitae II, 5.
[168] *ክፍሊ ትምህርቲ እምነት* CDF, Donum Vitae II, 4.
[169] *ክፍሊ ትምህርቲ እምነት* CDF, Donum Vitae II, 8.
[170] *ማቴ* 5፡27-28 *ረአ*

ኪዳን ንዝሙት ብጽኑዕ ከልኪልዎ እዩ።[171] ነቢያት'ውን እንተኾኑ ንዝሙት ምስናይ ክብደቱ ይኹንንዎ፤ ከም ናይ ግብረ ጣዖት ኃጢኣት ኣምሳል ገቢሮም ይርእይዎ።[172]

**2381** ዝሙት ተጻይ ፍትሒ ዚፍጸም በደል እዩ። እቲ ግብረ-ዝሙት
1640 ዚፍጽም ሰብ፡ ነቲ ዝኣተዎ ቃልን ውዕልን ኣብ ምፍጻም ይጐድል። ናይ ኪዳን
ምልክት ንዝኾነ ማሕላ-ኪዳን ይብድል፤ ናይ'ቲ ካልእ ወገን ኪዳናዊ መጻምዱ
መሰል ይግህስ፣ መሠረቱ ንዝኾነ ውዕል ብምፍራስ ንሥርዓተ ኪዳን ብቕንዱ
የዕኑ። ንናይ ሰብኣዊ ተዋልዶት ጠቕሚ ኮነ፡ ናይ ወለዶም ጽኑዕ ሓድነት
ንዘድልዮም ውሉድ ድኅንነቶም ኣብ ጸገም ዘውድቕ እዩ።

## ፍትሕ

**2382** ኪዳን ዘይፍታሕ ኪኸውን ናይ ዝመደበ ፈጣሪ መሠረታውን
1614 ጥንታውን ኅሊናኡ፣ ጐይታ ኢየሱስ ኣትሪሩ ይዛረበሉ።[173] ናብ'ቲ ጥንታዊ ሕጊ
ሰሊኹ ንዝኣተወ ልምድታት ፈጺሙ ሰዓሮ (ኣትረፎ)።[174]

ኣብ መንጎ ዝተጠምቁ "ዝረግአ ከምኡ'ውን፡ ኣብ መፈጸምታኡ ዝበጽሐ (ወሲብ ዝተፈጸመሉ) ኪዳን፣ ብዘይካ ብሞት፣ ብዝኾነ ይኹን ሰብኣዊ ክእለት ወይ ሥልጣን፣ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ኪፍታሕ ኣይክኣልን እዩ"።[175]

**2383** እቲ ማእሰረ-ኪዳን ኣብ ቦታኡ እንከሎ፣ ሕገቀኖና ብዚብይነሉ መሠረት፣
1649 ኣብ ገሊኡ ጕዳያት ሰበኺዳን ተፈላልዮም ምንባሮም ሕጋውን ግቡእን እዩ፡[176]።

ከም ኀልዮት-ውሉድ፣ ወይ ከኣ ሓለዋ ውርሻ፡ ዝበለ ገሊኡ ሕጋዊ መሰላት ንምርግጋጽ፡ ሲቪላዊ ፍትሕ እቲ ኡንኮ ፍታሕን መንገድን ኮይኑ ኣብ ዚርከበሉ፣ ኪፍቀድ ይከኣል፣ ሞራላዊ በደል ኪሕሰብ'ውን ኣይክእልን።

**2384** ፍትሕ ተጻይ ሕጊ-ባሕርይ ዚፍጸም ዓቢይ በደል (ኃጢኣት) እዩ።
1650 ሓደ ምስ'ቲ ካልእ ሓቢሮም ክሳብ ግዜ-ሞቶም ንኺነብሩ፣ ሰበኺዳን ብናጽነቶምን
ሥምረቶምን ንዝኣተዉዎ ውዕሊ ዘፍርስ እዩ። ምሥጢረ ተክሊል (ኪዳን)
ትእምርተ-ምልክቱ ንዝኾነ ኪዳን-ድኅነት፣ ፍትሕ ኣዝዩ ኪሃስዮ ይርከብ። ኣብ
ካልእ ኪዳናዊ ሓድነት ንኽትኣቱ ምውዕዓል፣ ብሲቪላዊ ሕጊ ቅቡል ይኹን'ምበር፣
ነቲ ናይ ፍትሕ ዓመጽ ዝበኣሰ ዚገብሮ እዩ፤ እቲ ዳግማይ ዝተወስበ በዓል ኪዳን
እምበኣር ግልጽን ነባርን ኣብ ዝኾነ ዝሙት ይነብር።

---

[171] ማቴ 5:32፣19:6፣ማር 10:11፣1 ቆሮ 6:9-10 ረአ
[172] ሆሴ 2:7፣ኤር 5:7፣13:27 ረአ
[173] ማቴ 5:31-32፣19:3-9፣ማር 10:9፣ ሉቃ 16:18፣1 ቆሮ 7:10-ll ረአ
[174] ማቴ 19:7-9 ረአ
[175] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1141.
[176] ሕገቀኖና፣ ቀ. 1151-1155. ረአ

ካብ በዓልቲ-ኪዳኑ ዝተፈትሐ በዓል ኪዳን (ሰብኣይ) ናብ ካልእ ሰበይቲ እንተቐረበ (እንተኣእተዋ)፣ ንሱ ዘማዊ ይኸውን፣ ምኽንያቱ ኸኣ ነታ ሰበይቲ ዝሙት ከም ትፍጽም ይገብራ፤ እታ ምስኡ እትነብር ሰበይቲ'ውን ዘማዊት እያ፣ ከመይሲ ንናይ ካልእ (ሰበይቲ) በዓል ኪዳን ናብ ርእሳ ክትስሕብ ተረኺባ እያ።[177]

2385 ፍትሕ ዘይሥነምግባራዊ ኮይኑ ዚርከበሉ ካልእ ድማ፣ ኣብ ስድራ ቤትን ኅብረተሰብን ዘይሥሩዕ ሃለዋት ዘምጽእ ስለዝኾነ እዩ። እዚ ዘይሥሩዕ ሃለዋት'ዚ፡ ነቲ ዝተሓድገ መጻምዲ-ኺዳን ዓቢይ ጕድኣት ዜስዕበሉ፣ ብምፍልላይ ወለዶም ንዝረዓዱን ንዝሰንበዱን፣ ኣብ መንጎኦም ንዝተመቓቐሉን ውሉድ ዚሃሲ፣ በቲ መስፋሕፍሒ ዝኾነ ውጽኢቱ ድማ በሓቂ ናይ ኅብረተሰብ መቕሠፍቲ ኪኸውን ዚርከብ እዩ።

2386 ካብ ተጻመድቲ ሓደ፣ ብሲቪላዊ ሕጊ ናይ ዝተደንገገ ፍትሕ ንጹሕ ግዳይ ዚኾንሉ ኵነታት ይርከብ እዩ። እዚ ብወገኑ ነቲ ሕጊ-ሞራል ኣይጠሓሰን። ንመደብ ምሥጢረ ኪዳን ዘለዎ ተኣማንነቱ ኪሕሉ ብቕንዕና እናጸዓረ፡ ብግፍዒ ኣብ መንጎ ዝተሓድገ በዓል ኪዳንን፣ ብዓቢይ ገበኑ ነቲ ሕጋዊ ብቕዓት ዘለዎ ኪዳን ኣብ መንጎ ዘፍረሰን፣ ቀሊል ዘይኮነ ፍልልይ ኣሎ።[178] 1640

## ንዕቤት-ኪዳን ዘዋርድ ካልእ በደላት

2387 ተነሚሑ ኣብ ወንጌል ኪኣምን ዚደሊ፣ እሞ ንዓመታት ጽምዳዊ ሕይወት ምስኣተን ንዝሕለፈ፣ ሓንቲ ወይ ዝበዝሓ ኣንስቲ ከፉኑ (ኪፈትሕ) ናይ ዚሕተት ሰብ ጽጉም ሃለዋት በሓቂ ዚርዳእ እዩ። እንተኾነ ብዝኃ-ኣንስት ምስ ሕጊ-ሞራል ዚሰማማዕ ኣይኮነን። "(ኪዳናዊ) ኅብረት ወይ ሱታፌ ብመሠረቱ ብመደብ ብዝኃ-ኣንስት ኪንጸግ ይርከብ። ብሓቂ'ውን እዚ፣ ነቲ ካብ ፈለማ ኣትሒዙ ዝተገልጸ መደብ-ኣምላኽ ብቐጥታ ዚነጽግ እዩ፣ ምኽንያቱ ኸኣ ኵለንትናዊ ብዝኾነ ኡንኮን ፍሉይን ፍቕሪ ገቢሮም ርእሶም ኣብ ኪዳን ናይ ዝወፈዩ ሰብኡትን ኣንስትን፡ ምዕሩይ ሰብኣዊ ክብሮም ዚፃረር እዩ።"[179] ኣቐዲሙ ብመደብ ብዝኃ-ኣንስት ኪነባበር ዝጸንሐ ክርስትያን፣ ብመንፅር'ተን ውዕሊ ዝኣተወለን ኣንስትን፡ ብመንፅር ደቁን ዘለዎ ግቡእነት ወይስ ግዴታ ኪፍጽም ፍትሒ ዚሓቶ ነገር እዩ። 1610

2388 ኣውስቦ-ዘመድ (incest) ኪበሃል ከሎ፣ ኪዳን ንኺፍጸም ዚኽልክል፣ 2356
ሥጋዊ ወይ ናይ ሕጊ ዝምድና ኣብ መንጎ ዘለዎም ወገናት ንዚግበር ነውራም 2207
ምንዝርና ወይ ወሲባዊ ርክብ ዘመልክት እዩ።[180] ከም'ዚ ንዝበለ ከቢድ ነውሪ

[177] ቅ.ባስልዮስ Moralia 73, 1፡ PG 31, 849-852.
[178] ስድራቤት FC 84 ረአ
[179] ስድራቤት FC 19፣ፍሥሓን ተስፋን GS 47 § 2
[180] ዘሌ 18፡7-20 ረአ

ቅዱስ ጳውሎስ ኣምሪሩ ይዅንኖ፦ "ኣብ ኣሕዛብ'ኳ ተገቢሩ ዘይፈልጥ ነውራም ምንዝርና ኣብ ማእከልኩም ከምዘሎ፣ ማለት ሓደ ካባኻትኩም ሰበይቲ ኣቦኡ ከምዘእተወ ይውረየኩም ኣሎ፤.... ኸምዚ ንዝበለ ርኽሰት ዝፈጸመ ሰብ ብስም ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ድሮ ፈሪደዮ ኣሎኹ። ንስኻትኩም'ውን ....ብሥጋኡ ኪቕጻዕ ኸምዚ ንዝኣመሰለ ሰብ ንሰይጣን ኣኅሊፍኩም ሃብዎ።"[181] ኣውስቦ-ዘመድ ንዝምድና ስድራቤት ዘበላሹን፣ ናብ እንስሳነት ዚመልስን እዩ።

**2389** ምስ'ዚ ኣውስቦ-ዘመድ (incest) ዝተኣሳሰረ ድማ፡ ዓበይቲ ኣብ ልዕሊ
2285 ሕፃናትን፣ ኣብ ሓላፍነቶም ኣብ ልዕሊ ዘለዉ ቈልዑትን ዚፍጽምዎ ወሲባዊ ዓመጽ እዩ። እቶም ንኡሳን ኣብ ግዙፍ ኣካላውን ሞራላውን ምልኣቶምን መንነቶምን ብዚፍጸም ነውራም ጕድኣት ንመላእ ሕይወቶም ዘሰንዮም በሰላ የሓድገሎም፣ ንዝተዋህቦም መዝነት መፅበያ ዚጥሕስ ተግባር እዩ፤ እቲ ዓቢይ በደል እምበኣር በዚ ኵሉ ዝተዋሃለለ እዩ።

**2390** ሓደ ሰብኣይን ሓንቲ ሰበይትን፣ ኣብ'ቲ "ናጻ ርክብ" (ናጻ ፅምረት/
1631 ኅብረት free union) ዝተሰምየ፡ ብመንፅር ወሲባዊ ርክብ ዚፍጽምዎ ሓድነት እንኪጽመዱ፣ ነቲ ርክቦም ሕጋውን ዕላውን መልክዕ ከልብስዎ ከምዘይደልዩ ይገልጹ።

እቲ "ናጻ ርክብ" (ናጻ ጽምረት/ኅብረት) ዚብል ኃይለቃል'ውን ስሑትን መስሓትን እዩ። እቶም ክልተ ተጻመድቲ ንሓድሕዶም ዚርኢ ዝኾነ ተወፋይነትን መደባትን ዘይብሎም፣ ሓደ ኣብ ልዕል'ቲ ካልእን፣ ኣብ ርእሱን፣ ኣብ'ቲ መጻኢ ኵነታቱን እምነት ዘይብሉ እንተደኣኮይኑስ፣ እቲ "ጽምረት ወይ ኅብረት" ዚብል ቃል እንታይ ትርጕም ኪህብ ይኽእል?

እቲ ኃይለ-ቃል ንኃያሎይ ዝተፈላለየ ኵነታት ዚጕልብብ እዩ፦-
2353 ውሽምነት፣ ንኪዳን ብርእሱ ምንጻግ፣ ወይ ከኣ ነዊሕ ዝዕላማኡ መደባት ከይትለብስ
1385 ምድላይ።[182] እዚ ኵነታት'ዚ ኹሉ ንኽብሪ ኪዳናዊ መውስቦ ይፃረር። ስድራቤት ንዚብል መሠረተ-ሓሳብ ብሡሩ ዚንቕንቕ፣ ንናይ ተኣማንነት ትርጕምን ዕላማን ዘዳኽም'ውን እዩ። ተጻይ ሕጊ-ሞራል ኮይኑ ይርከብ። ወሲብ ብፍላይ ኣብ ኪዳናዊ መደብ ጥራሕ ኪፍጸም ዘለዎ እዩ። ካብ መደብ ኪዳን ወጻኢ ኪፍጸም ከሎ፣ ወትሩ ዓቢይ ኃጢኣት ይኸውን፣ ነቲ ፈጻሚኡ ከኣ ካብ ሱታፌ ቅዱስ ቍርባን ይኽልክሎ።

**2391** ገሊኣቶም በዚ ሎሚ፣ ጽንሕ ኢልካ ወይ ድሒርካ ናይ ምምርዓው
2364 ሓሳብ ኣብ ዘለዎ፣ "ናይ ፈተነ ወሲብ ንምግባር መሰል" የሃሉ ዚብሉ ኣለዉ። እንተኾነ ቅድሚ-እዋኑ ኣብ ወሲባዊ ርክብ ናይ ዚጽመዱ ሰባት ዕላማ ጽንዓት ብዘየገድስ፣ "እቲ ሓቂ ግን፣ እዚ ከም'ዚ ዝበለ ርክባት፡ ኣብ መንጎ ሓደ ሰብን

[181] 1 ቆሮ 5፡1፣ 4-5
[182] ስድራቤት FC 81 ረአ

*ሓንቲ ሰብን ኪህሉ ንዚግበኦ ሓድሕዳዊ ቅንዕናን ተኣማንነትን ውሕስነት ኪህብ ዘይኽእል፣ ብፍላይ ድማ፡ ከጋጥም ካብ ዚኽእል፣ ኣብ ድልየትካን ባህግኻን ናይ ዘይምጽናዕ ጸገም ከወግድ ዓቕሚ ዘይብሉን እዩ"።*[183] *ብወሲባዊ ርክብ ዚፍጸም ሥጋዊ ሓድነት ብሞራል ፍቑድ ዚኸውን፣ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ወሳንን ናይ መወዳእታን ዝኾነ ብኀብረት ዚንበር ሕይወት ምስተኸሉ ጥራሕ እዩ፤ ሰብኣዊ ፍቕሪ ድማ ነዚ "ናይ ፈተነ ወሲብ" ዚብሃል ነገር ፈጺሙ ኪጻወሮን ከፍቅዶን ዘይከኣል እዩ። ሰባት ንሓድሕዶም ዚወሃሃብዎ ኵለንትናውን ናይ መወዳእታን ዝኾነ ህያብ የሓትት።*[184]

---

## ብሓጺር

2392 "*ፍቕሪ፡ ሰብኣዊ ፍጡር ናይ ዘበለ ኩሉ መሠረታውን ውሽጣውን* (*ባሕርያውን*) *ጸዋዕታ እዩ።*" (*ስድራቤታዊ ኅብረት* FC 11)

2393 *ኣምላኽ ንሰብኣይን ሰበይትን፡ ሰብኣዊ ህላዌ ገቢሩ ብምፍጣር፣ ንሓደ ኮነ ነቲ ካልእ ማዕረ ዝኾነ ሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ኣልቢስዎም እዩ። ሰብኣይ ኮነ ሰበይቲ ድማ ነፍስወከፎም፡ ነቲ ኣብኦም ዘሎ ጾታዊ መንነት ኪፈልጥዎን* (*ኪእመኑሉን*) *ኪቕበልዎን ይግባእ።*

2394 *ክርስቶስ ናይ ንጽሓ-ድንግልና ኣብነት እዩ። ዝተጠምቀ ዘበለ ከኣ፡ ከከምቲ ንቡር መደብ ሕይወቱ፣ ንጽሕቲ ሕይወት ኪነብር ዝተጸወዐ እዩ።*

2395 *ንጽሕና ኪበሃል ከሎ፣ ንመደብ ጾታ ኣብ'ቲ ሰብ ኣወሃሂድካ ምኽኣል እዩ። ርእስኻ ንምግታእን ንምግዛእን ንእትገብሮ ልምምድን ጻዕርን ዘጠቓልል'ውን እዩ።*

2396 *ንመደብ ንጽሕና ብኸቢድ ካብ ዚጻረር ኃጢውእ፣ ግብረ-ኀቡእ* (Masturbation)፣ *ምንዝርና፣ ግልጸተ-ነውር* (Pornography)፣ *ከምኡ'ውን ግብረ-ሰዶም* (Homosexuality) *ይርከቦ።*

2397 *ሰብሓዳር፡ ደልዮምን ናጻ ኮይኖምን ዝኣተዉዎ ማሕላ-ኪዳን፡ እሙን ፍቕሪ የሓትት። ነዚ ኪዳኖም ዘይፍታሕ ገቢሮም ንኺሕ ልዉዎ የገድዶም።*

2398 *ፍርየት ናይ ኪዳን ረብሓን ህያብን፣ ከምኡ'ውን መወዳእታ ዕላማን እዩ። ሰበኺዳን ሕይወት ብምትሕልላፍ፡ ኣብ ናይ ኣምላኽ ኣባትነት ይሳተፉ።*

---

[183] *ክፍሊ ትምህርተ እምነት* CDF, Persona Humana 7.
[184] *ስድራቤት* FC 80 *ረአ*

**2399** መደብ ወሊድ፣ ናይ ኣባታውን እናታውን ኃላፍነት ንዚውክል ገለ መዳያቱ የመልክት። ብወገን ሰበኺዳን ዚግበር ቅኑዕን ግቡእን ጎሊና፡ ብሞራል ቅቡል ንዘይኮነ መጋበሪታት ከቕንዮ ኣይክእልን እዩ። (ንኣብነት፡- ኮነ ኢልካ ብቐጥታ ዚግበር መደብ ምምካንን፣ ከላኤ-ጽንስን)።

**2400** ዝሙት፣ ፍትሕ፣ ብሓደ ግዜ መውስቦ ብዙኃት-ኣንስቲ፣ ከምኡ እውን "ነጻ ጽምረት" ወይ "ሕብረት" ተጻይ ክብሪ-ኪዳን ዚፍጸም ዓቢይ ገበን እዩ።

## ኣንቀጽ 7
# ሻብዓይ ትእዛዝ

**ኣይትስረቕ።**[185]

**2401** ሻብዓይ ትእዛዝ፡ ንብረት ብጻይካ ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ ምውሳድ ወይ
1807 ምሓዝ፣ ወይ ድማ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ብመንፅር ንብረቱ ንብጻይካ ምጉዳእ
952 ይኽልክል። ንምድራዊ ሃብትን ናይ ስራሓት-ሰብ ፍርያትን ብኃልዮት ኣብ ምሓዝ፣ መደብ ፍትሕን ፍቕርን ኪሕሎ ይእዝዝ። ምእንቲ ሓባራዊ ረብሓ ተባሂሉ፣ ምድራዊ በረኸት ንኹሉ ብዘይሌላን ጉሌላን ዝተመደበ ምዃኑ ኪፍለጥ፣ ምስኡ ድማ ናይ ግላዊ ንብረት መሰል ኪሕሎ፣ እዚ ሻብዓይ ትእዛዝ ዚሓቶ እዩ። ሕይወት ክርስትና ንናይ'ዚ ምድር'ዚ ነገራት ናብ ኣምላኽ ገጹን፣ ናብ'ቲ ጎውነታዊ ፍቕርን ከቕንዮ ይጽዕር።

## I. ሓባራዊ ዕላማ ሃብትን፣ ግላዊ ንብረትን

**2402** ካብ ፈለማ ኣትሒዙ፣ እግዚኣብሔር ንምድርን ንኹሉ በረኸታን፣
226 ኪሕልዎ፣ ኪከናኽኖ ብስራሑ ኪቈጻጸሮ፣ ብፍርያቱ ከኣ ኪረብሕን ኪድሰትን
1939 ንወድሰብ ሕድሪ ኣረከቦ።[186] ናይ ፍጥረት በረኸትን ሃብትን ኩሉ ንመላእ ዓሌትሰብ ዝተመደበ እዩ። እንተኾነ ብድኽነትን ብናይ ዓመጽ ስግኣትን ክትህሰ እትኽእል ሕይወቶም፣ ውሕስነትን ርግጽነትን ምእንቲ ክትረክብ፣ ምድሪ ኣብ መንጎ ደቂሰባት ዝተመቓቐለት እያ። ናይ ሰባት ናጽነትን ክብረትን ንምውሓስ፣ ነፍስወከፍ ድማ ነኣኡ ኮነ፣ ኣብ ጎልዮቱ ንዚርከቡ፡ ዜድልዮም መሠረታዊ ነገራት ንኺህልዎም ምእንቲ ኪሕግዝ፣ ንብረት ምውናን ግቡእን ሕጋውን እዩ። ኣብ

---

[185] ዘፀ 20፡15፣ዘዳ 5፡19፣ማቴ 19፡18
[186] ዘፍ 1፡26-29 ረአ

መንጎ ሰባት ባሕርያዊ ዝኾነ ምትሕግጋዝን ምድንጋጽን ንኺምዕብል ኪሕግዝ ይግባእ።

2403 ዝተጠርየ፣ ወይ ከኣ ብህያብ ኮነ ብውርሻ ዝተረኽበ፡ ግላዊ ንብረት ናይ ምውናን መሰል፣ ብጥንቱ ብመሠረቱ፣ ምድሪ ንመላእ ዓሌትሰብ ዝተዋህበት ጸጋ እያ፣ ንዚብል ሓቂ ኣይፃረርን እዩ። ናይ ሓባር ረብሓ ንኽተማዕብል፣ መሰል ግላዊ ንብረትን፣ ናይ ኣጠቓቕማኡ ብልኃትን ኪሕሎ ዚሓትት'ኳ እንተኾነ፣ ናይ ሃብትን በረኸትን ሓባራዊ ዕላማኡ ጥንታውን መሠረታውን ኮይኑ ይነብር።

2404 "ወድሰብ ንፍጡር ነገራት ኪጥቀመሉ ከሎ፣ እቲ ብግቡእ ዚውንኖ ንብረት፡ ነኣኡ ጥራሕ ዝተሓዝአ ዘይኮነስ፣ ልክዕ ከም'ቲ ንሱ ዚጥቀመሉ፡ ካልኦት'ውን ኪረብሑሉ ይኽእሉ ብዚብል መንፈስ ንኻልኦት'ውን ከምዚብጽሖም ኪሓስብ ኣለዎ።"[187] ናይ ዝኾነ ይኹን ንብረት ወይ ጥሪት ዋና ምኳን ማለት፣ ናይ'ቲ ብንልዮት-ኣምላኽ ዝተዘርግሐ ሓላውን ኣመሓዳርን ምኳን እዩ። ዕማሙ ከኣ፡ ኃልዮት-ኣምላኽ ዝለገሶ፡ ከምዚፈርን ጠቕሙ ድማ ናብ ካልኦት፣ ቀድሚ ኹሉ ናብ ስድራቤቱ ከምዚባጻሕ ምግባርን እዩ። 307

2405 ከም መሬት፣ ፋብሪካ፣ ግብራዊ ናይ ጥበብ ክእለት፣ ዝበለ ግዙፍ ወይ መንፈሳዊ ኣፍራዪ ነገራት፡ ንዝበዝሑ ወገናት ብዘርበሓሉ መንገዲ ኪጥቀሙሉ፡ እቶም ዋናታቱ ግዴታ ኣለዎም። ዜገልግልን ዚሃልኽን ነገራት ዝሓዙ፣ እቲ ዝበለጸ ወገን ንኣጋይሽን፡ ንሕሙማንን ድኻታት ብምፍላይ፣ ብመንፈስ ምጥንና ኪጥቀሙሉ ይግባእ።

2406 እቲ ፖለቲካዊ ሥልጣን ድማ፡ ምእንቲ ሓባራዊ ረብሓ ኪብል፣ ንብረት ናይ ምውናን መሰልን፡ ንሕጋውን ግቡእን ኣጠቓቕማኡ ብዚርእን ናይ ምሥራዕን ምምራሕን መሰልን ግዴታን ኣለዎ።[188] 1903

# II. ንሰባት ኮነ ንንብረቶም ዚወሃብ ክብሪ

2407 ኣብ ምድራዊ ነገራት እንካብ ምጥሓል ንምድሓን፣ ሰብኣዊ ክብሪ ንምሕላው፡ ኣብ ኤኮኖምያዊ ጒዳያት፣ መንፈስ ምጥንና ምኽታልን ኣብ ግብሪ ምውዓልን የድሊ። መሰል ብጻይና ንምሕላውን፣ ነኣኡ ዚግባእ ንኽይነጕድለሉን፣ መንገዲ ፍትሒ ምሓዝ፣ "በቲ ድኽነቱ ምእንቲ ክትህብትሙ ሃብታም ከሎ ምእንታኻትኩም ደኸየ"[189] ንዝተባህለሉ ልግሲ ጐይታ ብምምሳልን፣ ነቲ ወርቃዊ ሕጊ ብምኽታልን፣ ናይ ምድንጋጽን ምትሕግጋዝን መደብ ምዝውታር ይግባእ። 1809 1807 1939

[187] ፍሥሓን ተስፋን GS 69 § 1
[188] ፍሥሓን ተስፋን GS 71 § 4፣ኃልዮ ማኅ.ጒዳያት SRS 42፣ መበል 100 ዓመት CA 40፣48.
[189] 2 ቆሮ 8፡9

## ንብረት ብጻይካ ምኽባር (ምሕላው)

**2408** ሻብዓይ ትእዛዝ፡ ንስርቂ፣ ማለት ንሚዛናዊ ድልየት-ዋናኡ ብዚፃረር መንገዲ ንናይ ካልእ ሰብ ንብረት ብዘይኣገባብ ምውሳድ ይኽልክል። ናይ ዋናኡ ሥምረት ወይ ፍቓድ ኪህሉ ይኽእል ወይ ኪህሉ ምኽኣለ ዚበሃለሉ፣ ወይ ድማ ዘይምፍቃድ (ሥምረት ምኽላእ) ተጻይ'ቲ ቅኑዕ ርድኢትን፡ ሓባራዊ ዕላማን ሃብትን ኣብ ዝኾነሉ ግን፡ ስርቂ ዚበሃል ፈጺሙ የልቦን። እዚ ድማ ኣገዳስን ኣድላይን ነገራት (መግቢ፡ መዕቈቢ፡ ክዳን...) ብቐጥታን ብቕልጡፍን ንምርካብ፡ እቲ ኡንኮ መንገዲ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ ወቕቲ፣ ነቲ ዘሎ ኮነ፡ ነቲ ንብረት ካልእ ኣብ ምጥቃም ዘጋጥም ጕዳይ እዩ።[190]

**2409** ንውሳኔታት ሲቪላዊ ሕጊ፡ ዚፃረር'ኳ እንተዘይኮነ፣ ብዘይፍትሓዊ
1867 ኣገባብ ንብረት-ካልኦት ምውሳድን ምሓዝን ተጻይ'ዚ ሻብዓይ ትእዛዝ እዩ። ምእንት'ዚ ድማ፡ ጠፊኡ ንዝረኸብካዮን፣ ተለቒሕካ ንዝወሰድካዮን ንብረት ደይ መደይ ኢልካ ንዝተናወሐ ግዜ ምሓዙ፣ ንግዳዊ ምጥፍፋእ፣ ንሰራሕተይና ግቡእን ፍትሓውን ደመወዝ ዘይምኽፋል፣ ንናይ'ቲ ካልእ ሰብ ድንቍርናን ገርህነትን፣ ከምኡ ድማ ዝወረዶ ጸገማት መዝሚዝካ ዋጋታት ዕዳጋ ከምዚንህር ምግባር፣ ነዚ ሻብዓይ ትእዛዝ ዚፃረር እዩ።[191]

እዚ ዚስዕብ'ውን ብሞራል ዘይፍቀድ እዩ፡- ባዕልኻ ምሂዝካ ዋጋታት ኣቕሒት ብምዝንባል፣ ብጕድኣት ካልኦት ንኽትረብሕ ዚግበር ገዚእካ ምሻጥ (ምምላ'ስ)፣ ብመሠረት-ሕጊ ውሳኔ ኪገብሩ ንዘለዎም ሰባት፣ ኣብ ልዕሊ ፍርዶምን ግምቶምን ተፅዕኖ ንምሕዳር ዚግበር ብልሽውና (Corruption)፤ ናይ ሓደ ትካል ሓባራዊ ንብረት ንርእስኻ ምውናንን፡ ንውልቃዊ ዕላማ ምውዓልን፣ ብሕማቕ ኣገባብ ምስራሕ፣ ቀረጽ ዘይምኽፋል፣ ናይ ገንዘብ ሰነዳትን መኣዘዚታትን ወረቓቕቲ (ቸክ፣ Invoice) ምዝንባል ምትምያን፣ ኣዝዩ ልዑል ወጻኢታትን ናይ ገንዘብ ዝርወትን ምዝውታር። ደይመደይ ኢልካ ንናይ ውልቂ ይኹን ናይ ሕዝቢ ንብረት ምዕናው፣ ተጻይ-ሞራል እዩ፣ ካሕሣ ዚሓትት'ውን እዩ።

**2410** ትሕዝቶኡን፡ እቲ ዚግበር ወፈያኡን ብሞራል ፍትሓውን ቅኑዕን ክሳብ
2101 ዝኾነ፡ ዚእቶ ቃልን ውዕልን ብጽኑዕ ኪሕሎን፣ ብዚግባእ ኪፍጸምን ይግባእ። ቀንድን ኣገዳስን ዝኾነ ወገን-ኤኮኖምያውን ማኅበራውን ናብራ፣ ኣብ መንጎ ሰብኣውን ሕጋውን (ሞራላውን) ኣካላት፡ ኣብ ዚፍጸም ንንግዲ ማለት ንዕድግን መሸጣን፣ ክራይን ስራሕን ኣብ ዚርኢ ውዕላት ዝተመሥረተ እዩ። ውዕል ዘበለ ኹሉ ኣብ ስምምዕ ዝተመርኰሰን፣ ብ(ጽቡቕ) እምነት ዝተፈጸመን ኪኸውን ኣለዎ።

---

[190] ፍሥሓን ተስፋን GS 69 § 1

[191] ዘዳ 25፡13-16፣24፡14-15፣ያዕ 5፡4፣ኣሞ 8፡4-6 ረአ

**2411** ፍትሒ-ተዋልጦ (ምልውዋጥ) (commutative justice) ዚበሃል፣ ንመሰላቶም ብጽኑዕ ብምሕላው ኣብ መንጎ ሰባትን ኣካላትን ተቐዋማትን ንዘሎ ምልውዋጥ ዚመርሕ እዩ። ውዕላት ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ፍትሒ-ተዋልጦ ይምደብ። እዚ ፍትሒ-ተዋልጦ፡ ብጽኑዕ ዘገድድ እዩ። መሰል-ንብረት ምርግጋጽ፣ ዕዳኻ ምኽፋል፡ ደሊኻ ብናጻ ዝኣቶኻዮ ውዕል ንዘምጽኦ ግዴታ ምፍጻም፡ ብዘይካ ፍትሒ-ተዋልጦ፣ ካልእ ዝኾነ መልክዕ ፍትሒ ኪጭበጥ ዘይከኣል እዩ። 1807

ፍትሒ-ተዋልጦ ኪበሃል ከሎ፣ሓደ ዜጋ፡ ንማሕበረሰብ ኪፍጽሞ ዚግበኦ ካብ ዘመልክት ሕጋዊ ፍትሒ ኮነ፣ እታ ማሕበረሰብ ንዜጋታታ ብመጠን'ቲ ዘበርከትዎን ዚጽበይዎን ክትፍጽመሎም ንዘለዋ ካብ ዚሠርዕ ኣመቓራሒ ፍትሒ ተፈልዩ ዚረአ እዩ።

**2412** ንዝተፈጸመ በደል ወይ ግፍዒ ምኽሓስ፣ ዝተሰርቀ ንብረት ናብ ዋናኡ ምምላስ ብመሠረት'ዚ ፍትሒ-ተዋልጦ ዚሕተት እዩ፦ 1459

"ጐይታይ! ገለ ዝዓመጽክዎ እንተሎ'ውን ኣርባዕተ ዕጽፊ እፈድዮ"[192] ኪብል ብዝኣተዎ መብፅዓ፡ ኢየሱስ ንዘኬዎስ ኪንእዶ ይርከብ። ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ፣ ንብረት ካልእ ዝወሰዱ ኵሎም፣ ናብ ዋናኡ ኪመልስዎ፣ ወይ ከኣ እቲ ንብረት ዝጠፍአ እንተኾይኑ ብዓይነት ኮነ ብገንዘብ ኣምሳያኡ ኪመልሱ፤ ከምኡ'ውን እቲ ዋናኡ ካብ'ቲ ዝተወስደ ንብረቱ ብሕጋውን፡ ግቡእን ኣገባብ ኪረኽቦ ንዝነበሮ መኽሰብ ወይ ጠቕሚ ምስኡ ኪመልስዎ ኣለዎም። ብተመሳሳሊ እውን፣ ብገለ መዳይ ኣብ ስርቂ ዝተሳተፉ፡ ወይ ከኣ እናፈለጡ በቲ ዝተሰርቀ ንብረት ዝተጠቕሙ፣ ንኣብነት ስርቂ ዝኣዘዙ፣ ንስርቂ ዝተሓጋገዙ ዝተሰርቀ ንብረት ዝተቐበሉ፣ እዚኣቶም ኵሎም ብመጠን'ቲ ኃላፍነቶምን፣ ኣብ'ቲ ዝተሰርቀ ነገር ብዘለዎም እጃምን ግምትን፣ ካሕሣ ኪፍጽሙ ትሑዛት እዮም። 2487

**2413** ንዕድል ዚርኢ ጸወታ ጠላዕ (ወረቐት" ካርታ"...) ወይ ምውርራድ ብርእሱ ተጻይ ፍትሒ ኣይኮነን። ብሰንኪ እዚ ጸወታ'ዚ ግን ሓደ ሰብ ንርእሱ ኮነ ንኻልኦት፣ ንኣድላዪ ግድነቱን ንብረቱን ዚኾኖ ከጥፍእ (ኪስእን) ከሎ፡ ሽዑ እቲ ተግባር'ቲ ብሞራል ዘይቅቡል ይኸውን። ናይ ጠላዕ ስምዒትን ዝንባሌን ኣብ ባርነት ዘውድቐካ እዩ። ዝወረደ ጒድኣት ደቂቕ፣ እቲ ዝተጐድአ'ውን ቍምነገር ዘይህቦ እንተዘይኮይኑ፣ፍትሓዊ ዘይኮነ ምውርራድን፣ ኣብ ጸወታ ምጥፍፋእን ድማ ከቢድ ነገር እዩ።

**2414** ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት፣ ናይ ውልቃዊ ረብሓ ይኹን ወይስ ናይ ሥነሓሳብ፣ ወይ ንግዲ፣ ወይ ናይ መላኽነት ዕላማ ዘለዎ፣ እሞ ንሰብኣዊ ፍጡር ናብ ባርነት ንኸውድቕ ዚጽዕር፣ ንኽብሮም ግሂስካ ሰባት ከም ኣቕሑት ከምዚሽየጡን ከም ዚልወጡን ዚገብር ተግባራትን ምንቅስቓሳትን (ትካላትን)፣ 2297

[192] ሉቃ 19፡8

በዚ ሻብዓይ ትእዛዝ ዝተኸልከለ እዩ። ንሰባት፡ ብዓመጽ ኣገዲድካ ከም ኣፍረይቲ ጥራሕ፡ ወይ ከኣ ከም ምንጪ መኽሰብ ክትገብሮም፣ ተጻይ ክብሪ-ሰባትን መሠረታዊ መሰላትን ዚፍጸም ኃጢኣት እዩ። ሓደ ክርስትያን ጐይታ ንባርያኡ ብኸመይ ከምዚሕዞ ቅ.ጳውሎስ መምርሒ ይህብ- "ደጊም ከም ባርያ ዘይኮነስ፣ ካብ ባርያ ዝበለጸ ከምፍቑር ኃውካ እዩ፣… ብሥጋን ብጐይታን ኃውኻ እዩ"[193]።

## ንምልኣት-ፍጥረት ኣዕዚዝካ ምርኣይ

**2415** ንምልኣት-ፍጥረት ዚግባእ ኣኽብሮት ኪወሃብ እዚ ሻብዓይ ትእዛዝ
226:358 የማሕጽን። ዘመደ-እንስሳ ልክዕ ከምቶም ዘመደ-ዕፀዋትን (ኣትክልቲ) ትንፋስ
373 ዘይብሎም ነገራትን፣ ብባሕሪኦም ንዝሓለፈን፡ ዘሎን ዚመጽእን ሓባራዊ ረብሓ
378 ደቅሰብ ዝተመደቡ እያቶም።[194] ኣብዛ ምድረዓለም ንዚርከብ ሃብቲ ማዕድንን፣
ሃብቲ ኣትክልትን ኣሕምልትን፡ ሃብቲ እንስሳን ምጥቃም፣ ካብ'ቲ ሞራላዊ ግዴታታት ኪንጸል ኣይከኣልን እዩ። ኣብ ልዕሊ'ቶም ትንፋስ-ኣልቦ ነገራትን፣ ሕያው ፍጡራትን ንወድሰብ ብፈጣሪ ዝተዋህቦ ኃላፍነትን ጐይትነትን፣ ፍጹም ወይ ከኣ ደረት-ኣልቦ ኣይኮነን። ብመጻኢ ወለዶታት'ውን ከይተረፈ፡ ምእንቲ ብቕዓት ሕይወት-ብጻዩ ብዚገብሮ ተገዳስነትን ኃልዮትን፡ ዝተደረተ እዩ። ብመንፅር ምልኣት-ፍጥረት ድማ መንፈስ እምነት ዝዓዘዞ ኣኽብሮት ኪህልዎ ይሕተት።[195]

**2416** እንስሳታት ፍጥረት ኣምላኽ እዮም። በቲ ኃልዮታዊ ክንክኑ ከኣ
344 የጽልሎም። በቲ ህላዌኦም ጥራሕ'ኳ ኪውድሱዎን ክብሪ ኪህብዎን ይርከቡ።[196]
ምእንት'ዚ ከኣ ካብ ሰባት ሕያውነትን ኃልዮትን ኪረኽቡ ዚግበኦም እዮም። ከም እኒ ቅዱስ ፍራንቸስኮስ በዓል ኣሲዚ፣ ወይ ከኣ ቅዱስ ፊልጶስ ኔሪ ዝበሉ ቅዱሳን ብኸመይ ዝበለ ሕያውነትን ክብረትን ንእንስሳታት ይቐርብዎም ከምዝነበሩ ክንዝክር ትሑዛት ኢና።

**2417** ነቲ ብኣምሳሉ ዝፈጠሮ(ሰብ)፣ ንእንስሳታት ከመሓድሮምን ከነባብሮምን
2234 ኢሉ ኣምላኽ ሕድሪ ሃቦ።[197] ምእንት'ዚ ከኣ ንዘመደ-እንስሳ ንመግብን ክዳንን
ኣብ ዘድልየና ክንጥቀመሎም ሕጋውን ግቡእን እዩ። ንሰብ ኣብ ስራሑን ምዝንጋዑን ምእንቲ ኪሕግዝዎ ኪግርሑ ይከኣል። ሰብኣዊት ሕይወት ንምሕዋይን ንምክንኻንን ዘበርክት፣ ከምኡ'ውን ብቕዓትን ደረትን ዝሓለወ ኣገባብ እንተኾይኑ ብእንስሳ ዚግበር ሕክምናውን ሥነፍልጠታውን (ሳይንሳዊ) ፈተነ ወይ ምርምር፡ ብሞራል ቅቡል እዩ።

---

[193] ፊልሞ 16
[194] ዘፍ 1፡28-31 ረአ
[195] መበል 100 ዓመት CA 37-38 ረአ
[196] ማቴ 6፡26፣ዳን 3፡79-81 ረአ
[197] ዘፍ 2፡19-20፣9፡1-4 ረአ

**2418** ኣድላዪ ኣብ ዘይኮነ ኵነታት፣ እንስሳታት ከም ዚሠቐዩን ከምዚሞቱን 2446
ምግባር፡ ንኽብሪ-ወዲሰብ ዚፃረር ተግባር እዩ። ብተመሳሳሊ ድማ፣ ብቐዳምነት
ናብ ጠቕምን ረድኤትን ሰብኣዊ ድኽነት ኪውዕል ንዝነበሮ ገንዘብ፣ኣብ እንስሳ
ምውዓሉ ውርደት እዩ። ሓደ ሰብ እንስሳ ኪፈቱ ይኽእል፣ እንተኾነ እቲ ንሰባት
ጥራሕ ዚግባእ ፍቕርን ስምዒትን ግን ናብ እንስሳ ከቕንዮ ኣይግባእን።

# III. ንኅብረተሰብ ዚርኢ ትምህርቲ ቤተክርስትያን

**2419** "ክርስትያናዊ ግልጸት... ብዛዕባ ናይ ማኅበራዊ ናብራ ሕግታት 1960
ዝዓመቑን ዝረቐቑን ርድኢት የማዕብል።[198] ቤተክርስትያን ድማ፡ ብዛዕባ ወድሰብ 359
ናይ ዚንገር ሓቂ ምልኣት-ግልጸት ካብ ወንጌል ትቕበሎ።ናይ ስብከተወንጌል
ተልእኮት ኣብ እትፍጽመሉ፡ ድማ ብስም ክርስቶስ፡ ንናይ ወድሰብ ክብረ-ግርማን፣
ናብ ናይ ሰባት ሱታፌ-ኅብረት ንኺኣቱ ዘለዎ ጸዋዕታን ምስክርነታ ክትህብ
ትርከብ። ምስ መለኮታዊ ጥበብ ብዚሰማማዕ መንገዲ ከኣ፡ ነቲ ንመደብ ፍትሕን
ሰላምን ዘድሊ ኹሉ ትምህሮ።

**2420** "መሠረታዊ መሰላት-ሰብ፡ ወይ ከኣ ድኅነት-ነፍሳት ዚሓቶ ነገር 2032
እንኪኸውን"[199] ብዛዕባ ኤኮኖሚያውን ኅብረተሰባውን ጕዳያት፣ ቤተክርስትያን 2246
ሞራላዊ ፍርዲ ትህብ እያ። ኣብ'ቲ ሥርዓት-ሞራል ካብ'ቲ ናይ ፖለቲካዊ
ሥልጣን፣ ኣዝዩ ፍሉይ ዝኾነ ተልእኮ ትቕበል። መወዳእታ ዕላማና ናብ ዝኾነ
ልዑላዊ ኣምላኽ ዝተመደበ ስለዝኾነ፣ ቤተክርስትያን በቲ ናይ ሓባራዊ ረብሓ
ምድራዊ (ግዜያዊ) መዳያት'ውን ከይተረፈ ትግደስ። ብመንፅር ምድራዊ ንብረትን
ረብሓታትን ኮነ፣ ንማኅበረ-ኤኮኖምያዊ ርክባት ዚርኢ ቅኑዕ ዝኾነ ኣተናን ኅሊናን
ኪምዕብል ትጽዕር።

**2421** እዚ ናይ ቤተክርስትያን ትምህርቲ-ኅብረተሰብ ኣብ መበል 19
ምእተዓመት ዝማዕበለ እዩ። እቲ ነባር ትምህርቲ-ወንጌል፣ ምስ'ቲ (ዘመናዊ)
ሓዲሽ ኢንዱስትርያዊ ኅብረተሰብ፣ ምስ'ቲ ሓዲሽ ናይ ፍርያትን ሃላኺ ነገራትን
መሣርዓቱን፣ ምስ'ቲ ሓዲሽ ናይ ኅብረተሰብን ሃገርን፡ ሥልጣንን ርድኢቱን፣
ምስ'ቲ ሓዲሽ ናይ ስራሕን ዋንነትን መልክዓቱን መሥርዓቱን ዝተራኸበሉ
ምእተዓመት እዩ። ንኤኮኖምያውን ማኅበራውን ጕዳያት ዚርኢ ትምህርቲ
ምምዕባሉን ምድልዳሉን፣ በቲ ሓደ ናይ'ቲ ወትሩ ሕያው ተንቀሳቓሲ ዝኾነ
ቅዱስ ትውፊት ኡነተይና ትርጉም ብዚህቦ መጠን፣ ትምህርቲ ቤተክርስትያን
ነባር ግምትን መሠረትን ከምዘለዎ ይገልጽ[200]።

---

[198] ፍሥሓን ተስፋን GS 23 § 1
[199] ፍሥሓን ተስፋን GS 76 § 5
[200] መበል 100 ዓመት CA 3 ረአ

**2422** እዚ ኅብረተሰባዊ ትምህርቲ-ቤተክርስትያን ንሓደ ዝተወሃሃደ ትምህርቲ
2044 ዘጠቓልል እዩ። እዚ ኸኣ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ተሓጊዛ፣ ብኢየሱስ ክርስቶስ
ብዝተዋህባ ምልኣት-ግልጸት ተደጊፉ፣ ኣብ'ዚ ጕዕዞ-ታሪኽ ንክውነታት ብእትህቦ
ትርጓሜ ተጠናኺሩን ተኣሳሲሩን ይርከብ።[201] እዚ ትምህርት'ዚ ድማ፣
ምእመናን በኣኡ ኪምርሑ ብዝፈቕዱ መጠን ብዝኾነ በዓል ጽቡቕ ድላይ
ብዝበለጸን ብዝቐለለን ተቐባልነት ኪረክብ ይኽእል።

**2423** ኅብረተሰባዊ ትምህርቲ-ቤተክርስትያን ንኣስተንትኖ ዚኸውን ሓድሓደ መርሒ-ሓሳባት የቕርብ፤ ንፍርዲ ዜገልግል ገለ መምዘንታት የምጽእ። ንተግባርን ምንቅስቓስን ዚሕግዝ መሥመራት ይሕንጽጽ።

ዝኾነ ይኹን ሥርዓት፣ እቲ ማኅበራዊ ርክባቱ፡ ብምሉኡ ብኤኮኖምያዊ ረቛሒታት ጥራሕ ዚውሰን እንተደኣ ኮይኑ፣ ንናይ ሰብ ባሕርያዊ መደብን፡ ንተግባራቱን ዚፃረር እዩ።[202]

**2424** ናይ ኤኮኖሚያዊ ተግባራቱ ፍሉይ መምርሕን መምዘንን፣ መወዳእታ
2317 ዕላማን፣ መኽሰብ ጥራሕ እንተደኣ ኮይኑ ብሞራል ዘይቅቡል ሥነሓሳብ እዩ።
ቀጥዒ ዘይብሉ ሃረርታ-ገንዘብ፣ ዘይሥሩዕ ውጽኢት እንተዘይኮይኑ ካልእ
ኣየፍርን። ንማኅበራዊ ሥርዓትን ርግኣትን ዚዘርግ ብዙሕ ግርጭታት፣ ካብቲ
መበገሚታቱ ሓደ እዚ እዩ።[203]

"ንናይ ውልቀሰባትን ጕጅለታትን መሠረታዊ መሰላት በቲ ናይ መፍረ ጥሙር ውዳበ ከምዚዕፈን" ዚገብር ሥርዓት፡ ተጻይ ክብሪ ወድሰብ እዩ።[204] ዝኾነ ይኹን፡ ንሰብ ናይ ረብሓን መኽሰብን መጋበሪ ዚገብር ኣገባብን መደብን ንሰብ ኣብ ባርነት የውድቖ፣ ንገንዘብ ከምተምልኽ ይገብረካ፤ ተጻይ-ኣምላኽ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ንምስፋሕ ይሕግዝ። "ንእግዚኣብሔርን ንገንዘብን ከተገልግሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም"[205]።

**2425** ኣብ'ዚ ሓዲሽ እዋናት፣ ምስ ("communism") ዴስነት ከምኡ'ውን
676 ማኅበርነት ("socialism") ዝተኣሳሰረ፡ ፀረ-ኣምላኽ ዝኾነ ሥነሓሳባትን፣ መላኺ
1886 ሥርዓታትን ("totalitarian") ቤተክርስትያን ፈጺማ ነጺጋቶ እያ። ብተመሳሳሊ
እውን፣ ("capitalism") ርእሰማልነት ኣብ ምኽታል፣ ክንዲ ንስራሕ-ሰብ፡ ንሕጊ-
ዕዳጋን ውልቃውነትን ፍጹም ቀዳምነት ክትህብ ኣይትኽእልን።[206] ነቲ ማእከላይ
መደብ ጥራሕ ተኸቲልካ ነቲ ኤኮኖሚ ክትሠርዕ ምጽዓር፣ ንናይ ማኅበራዊ ናብራ
ርክብ መሠረታቱ ዘዘናብል እዩ። "በገባብ ዕዳጋ ጥራሕ ኪዓግብ ዘይክእል ብዙሕ

---

[201] ኃልዮ ማኅ.ጕዳያት SRS 1፣41 ረአ
[202] መበል 100 ዓመት CA 24 ረአ
[203] ፍሥሓን ተስፋን GS 63 § 3፣ስራሕ ምክያድ LE 7፣20፣መበል፡100 ዓመት CA 35 ረአ
[204] ፍሥሓን ተስፋን GS 65 § 2
[205] ማቴ 6፡24፣ሉቃ 16፡13
[206] መበል 100 ዓመት CA 10፣13፣44 ረአ

ሰብኣዊ ድልየታት" ስለዘሎ[207]፣ ንመደብ ዕዳጋ ብዚመርሕ ሕጊ ጥራሕ ምሥራዑን ምምራሑን ማለት ማኅበራዊ ፍትሒ ዘጕድል እዩ። ምእንት'ዚ ናይ ነገራት ቅኑዕ መሥርዕን መዓርግን ዝሓለወን፣ ናብ'ቲ ሓባራዊ ረብሓ ዝጠመተን፡ ቅኑዕን ብቑዕን ኣሠራርዓ ዕዳጋን፣ ኤኮኖምያዊ ተበግሦን ኪግበር የድሊ።

## IV. ኤኮኖሚያዊ ምንቅስቓሳትን ማኅበራዊ ፍትሕን

**2426** ናይ ኤኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ ምዕባሌን፣ ናይ ፍርያት ዕቤትን፡ ዕላማኡ ድልየት (ሓድነት) ደቅሰብ ንምርዋይ እዩ። ኤኮኖሚያዊ ሕይወት ኪበሃል ከሎ ምህርቲ ወይ ኣቕሑት ምፍራይን፡ መኽሰብ ወይ ሥልጣን (ጽልዋ) ምውሳኽን ጥራሕ ኮይኑ ዚግመት ኣይኮነን። ቅድሚ ኩሉ ንኣገልግሎት ሰባት፣ ማለት ንኹሉ መዳያት ሰብን፡ ንመላእ ሰብኣዊ ማኅበርን ዝተሠርዐ እዩ። በቲ ናቱ ብልኃትን ሜላን ዚምራሕ ኤኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ፣ ኣምላኽ ብመንፅር ወድሰብ ምስዘለዎ መደብ ምእንቲ ኪሰማማዕ፣ ብመሠረት ኣገባባት ማኅበራዊ ፍትሒ፣ ኣብ ውሽጥ'ቲ ሞራላዊ ሥርዓት ኪፍጸም ዘለዎ እዩ።[208] 1928

**2427** ሰብኣዊ ስራሕ፣ ብኣምሳል-ኣምላኽ ካብ ዝተፈጥሩን፣ ብሓባር ወይ ምእንቲ ጠቕሚ ሓድሕድ ንምድሪ ብምግዛእ ስራሕ-ፍጥረት ንኪቕጽሉ ካብ ዝተጸውዑ ሰባት ብቐጥታ ዚፍልፍል እዩ።[209] ምእንት'ዚ ስራሕ (ወይ ግቡእ) እዩ፤ "ዘይሰርሕ እንተ'ሎ፡ ንሱ ኣይብላዕ"።[210] ስራሕ፡ ነቲ ናይ ፈጣሪ ህያባትን፣ ካብኡ ንዝተቐበልካያ ክእለትን ክብሪ ዚህብ እዩ። ቤዛዊ እጃም'ውን ኪህልዎ ይኽእል።[211] ኣብ ናዝሬት ብስራሕ ጽርበት ምስ ዝተናበረን፣ ኣብ ቀራንዮ ኣብ መስቀል ምስ ዝተሸንከረን ኢየሱስ ብምውህሃድ፡ ንናይ ስራሕ ብርታዐን ምረትን ተጻዊሩ ዝተረኽበ ወድሰብ፡ ብዝተወሰነ መልክዑ፡ ምስ ወዲ-ኣምላኽ ኣብቲ ስራሕ ድኅነቱ (ቤዛውነቱ) ይተሓባበር። ኣብ'ቲ መዓልታዊ ኪፍጽሞ ዝተጸውዓሉ ስራሓቱ፣ ንመስቀሉ ብምጽዋር ተኸታሊ-ክርስቶስ ምኻኑ የመስክር።[212] ስራሕ መጋበሪ-ቅድስናን፣ ነዚ ምድራዊ ነገራት ብመንፈስ-ክርስቶስ ሕይወት ንምሃብ ዚሕግዝ መንገድን ኪኸውን ይኽእል። 307 378 531

**2428** ወድሰብ ስራሕ ክዘውትር ከሎ፣ ኣብ ባሕሪኡ ንዝተሓንጸጸ ድጉል ኃይሊ፡ ኣብ ግብሪ የውዕልን፣ ኣብ ፍጻሜኡ የብጽሕን። እቲ ጥንታውን መሠረታውን ናይ ስራሕ ግምትን ክብረትን፣ ካብ'ቲ ዋናኡን (ገባሪኡ) ረባሒኡን 2834 2185

---

[207] መበል 100 ዓመት CA 34
[208] ፍሥሓን ተስፋን GS 64 ረአ
[209] ዘፍ 1፡28፣ፍሥሓን ተስፋን GS 34፣መበል 100 ዓመት CA 31 ረአ
[210] 2 ተሰ 3፡10፣1 ተሰ 4፡11 ረአ
[211] ዘፍ 3፡14-19 ረአ
[212] ስራሕ ምክያድ LE 27 ረአ

ዝኾነ ሰብ ብቐንዱ ዚፍልፍል'ዩ። ስራሕ'ዩ ምእንቲ ሰብ እምበር፣ ሰብ ምእንቲ ስራሕ ኣይኮነን።[213]

ነፍስወከፍ ሰብ ድማ፡ ንመነባበሪ ሕይወቱን ስድራቤቱን፣ ከምኡ'ውን ንሰብኣዊ ኣገልግሎት ዘድሊ ዘበለ ኩሉ ካብ'ቲ ዝሰርሖ ኪረክብ ግቡኡ እዩ።

**2429** ነፍስወከፍ ሰብ ኤኮኖሚያዊ ተበግሦታት ከንቀሳቕስ መሰል ኣለዎ። ኩሉ ሰብ ድማ፡ ንኹሉ ሰብ ኣብ ዚጠቅም በረኸትን፣ ናይ ስራሑ ግቡእ ፍርያትን ኣብ ዚሓፍሰሉ ኩሉ፣ ነቲ ዓቕሙን ክእለቱን ብዚግባእ ኪጥቀመሉ ይግባእ። ምእንቲ ሓባራዊ ረብሓ ተባሂሉ ብሕጋዊ ሥልጣን ንዝተኣወጀ ሕግታት ከኽብር ግቡእ እዩ።[214]

**2430** ኤኮኖሚያዊ ሕይወትን ምንቅስቓሳትን፣ ብዚበዝሕ ንሓድሕዱ ዚፃረር ዝተፈላለየ ረብሓታት ከምዚራኸብ ይገብር እዩ። ነዚ ፍሉይ መልክዕ ዚህቦ ኵነታትን፣ ገለ ግርጭታትን'ውን በዚ ኪግለጽ ይከኣል።[215] ናይ ነፍስወከፍ ማኅበራዊ ጕጅለ መሰላትን ግቡኣትን ዚሕሉ ስምምዕን ምርድዳእን ብምክያድ፡ ነዚ ከምዚ ዝበለ ግርጭታት ንምጒዳሉ ጻዕሪ ኪግበር የድሊ። ኣብ'ዚ ዚዋስኡ ጕጅለታት ድማ፡ ናይ ንግዳዊ ተቐዋማት (ትካላት) ሓለፍቲ፣ ናይ ሰብ-ደሞዝ ስራሕተይናታት ወከልቲ፣ (ንኣብነት- ማኅበር ሰራሕተይናታት) ከምኡ'ውን ከድሊ ከሎ መንግሥታዊ ሰበሥልጣን እዮም።

**2431** ናይ መንግሥተ-ሃገር ኃላፍነት፡- ኤኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ፣ ብፍላይ
1908 ብዕዳጋ ናይ ዚምራሕ ኤኮኖሚ ተግባራትን ምንቅስቓሳትን፣ ኣብ ሓደ ተቐዋማዊ
1883 ሕጋዊ፡ ወይ ፖለቲካዊ መሥርዕ-ኣልቦ፣ ኣብ ባዶ ሃዋህው ኪካየድ ኣይከኣልን እዩ። ብተጻዩ፡ ናይ ውልቀሰብ ናጽነትን፡ ግላዊ ንብረትን፣ ከምኡ'ውን ሥሩዕን ርጉእን ገንዘብን፡ ብቑዕ ሕዝባዊ ኣገልግሎትን ንኺህሉ ርጉጽ ውሕስነት ይህብ። ኃላፍነት መንግሥተ-ሃገር ቀዳማይን ቀንድን ዕማሙ እምበኣር፣ እቶም ዚሰርሑን ዘፍርዩን፡ ፍርያት ጻዕሮም ከምዚረኽቡን፡ ስለ'ዚ ኸኣ ብብቕዓትን ብቕንዕናን ንኺሰርሑ ከምዚተባብዖን ንምግባር፣ ነዚ ዝተጠቕሰ ውሕስነት ምርግጋጽ እዩ፤ …ናይ መንግሥተ-ሃገር ካልእ ዕማም ከኣ፣ ኣብ ወገን ኤኮኖሚ ኣብ ግብሪ ንዚውዕል ጒዳይ ሰብኣዊ መሰላት ምክትታልን፡ ምምራሕን እዩ። እንተኾነ፣ በዚ መዳይ'ዚ እቲ ቀዳማይ ኃላፍነት፣ ናይ መንግሥተ-ሃገር ብሕቱ ዘይኮነስ፣ ናይ'ቶም ንኅብረተሰብ ዘቕውሙ ውልቀሰባትን ዝተፈላለዩ ጕጅለታትን፡ ማኅበራትን'ውን እዩ።[216]

---

[213] ስራሑ ምክያድ LE 6 ረአ
[214] መበል 100 ዓመት CA 32፣34 ረአ
[215] ስራሑ ምክያድ LE 11 ረአ
[216] መበል 100 ዓመት CA 48

2432 ኃላፍነት ንግዳዊ ትካላት ዘለዎም ወገናት፣ በቲ ናይ ስራሓቶም ኤኮኖምያውን ንከባቢ ኣየርን ምድርን (Ecology) ዚርኢ ውጽኢታትን፡ ኣብ ቅድሚ ኅብረተሰብ ተሓተትቲ እዮም።[217] ረብሓን መኽሰብን ምብርካት ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ንናይ ሰባት ረብሓ ኣብ ግምት ከእትዉ ግዴታ ኣለዎም። ምስ'ዚ ኹሉ ግን መኽሰብ ኣድላዪ እዩ። መጸኢ ንግዳዊ ኵነታትን ናይ ስራሕ ውሕስነትን ዘረጋግጸልና፣ኣብ ስራሕ ገንዘብ ምፍሳስ ዚከኣልው'ን ሳላ'ዚ መኽሰብ'ዚ እዩ። 2415

2433 ንስራሕ ኮነ፡ ሞያዊ ክእለት ዚወሃብ ዕድል፣ ሰብኡት፣ ኣንስቲ፣ ጥዑያት ኮኑ ስንኩላት ደቀባት ኮኑ ፈላስያን (ስደተይናታት) ከይበልካ ብዘይካ ዝኾነ ይኹን ሌላን ጕሌላን፡ ንኩሉ ክፉት ኪኸውን ኣለዎ[218]። ኅብረተሰብ ድማ ብወገኑ፣ ከከም ኵነታቱ፡ ንዜጋታት ኣብ ምርካብ-ስራሕ ኪተሓጋገዝ የድሊ።[219]

2434 ቅኑዕን ፍትሓውን ደሞዝ፣ ሕጋውን ግቡእን ፍረ ስራሕ እዩ። ነዚ ደሞዝ'ዚ ፈጺምካ ምኽላእ፡ ወይ ንድሕሪት ምምላስ፣ ዓቢይ ግፍዕን በደልን እዩ።[220] ርትዓዊ ዝኾነ ክፍሊት ኣብ ምምዳብ፣ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ግድነቱን (ድልየቱን) ኣበርክቶኡን ኣብ ግምት ኪኣቱ ይግባእ። "ንስራሕ ዚኽፈል ገንዘብ፡ ንሓደ ሰብ ኮነ ንስድራቤቱ፣ ክብረት ዘለዎ መነባብሮ ንምንባር፣ ብግዙፍ (material)፡ ማኅበራዊ፣ ባህላዊ ሕንጸተሰባዊ መንፈሳዊ ደረጃ ውሕስነት ዚህቦ እዩ። ናይ ነፍስወከፍ፡ ማለት ናይ ሃለዋት ንግድን፣ ሓባራዊ ረብሓን ኵነታት ኣብ ግምት ዘእትወ እዩ።"[221] እቲ ከም ደመወዝ ዚወሃብ ብዛዕባ መጠኑ ብዚርኢ፣ ብሞራል ቅኑዕ እዩ ንምባል፣ እዚ ኣብ መንጎ ክልቲኣም ወገናት ዝተበጽሐ ስምምዕ ከም መርትዖ ምቕራብ እኹል ኣይኮነን። 1867

2435 ኪውገድ ዘይከኣል እንኪኸውን፣ ወይ ከኣ እንተወሓደ ተመጣጣኒ ጠቕሚ ንምምጻእ ኣድላዪ እንተደኣ ኮይኑ፣ ኣድማ ምግባር ብሞራል ግቡእን ሕጋውን እዩ። ብግብረ-ዓመጽ ዝተሰነየ፣ ወይ ከኣ ምስ'ቲ ሃለዋት-ስራሕ ብቐጥታ ዘይራኸብ፣ ወይ'ውን ተጻይ ሓባራዊ ረብሓ ዝኾነ ዕላማ ዘጠቓልል እንተደኣኮይኑ፡ ኣድማ ብሞራል ተቐባልነት ኣይህልዎን።

2436 ነቲ ማኅበራዊ ውሕስነት ዝዕላማኡ ብሕጋዊ ሥልጣን ዚሕተት ኣበርክቶ-ገንዘብ ዘይምኽፋል ፍትሓዊ ኣይኮነን።

ስራሕ-ኣልቦ ምኳን፡ ወትሩ ግዜ፡ ንናይ'ቶም ግዳያቱ ክብረ-ግርማን ንሚዛን ሕይወቶምን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ እዩ። ብዘይካ'ቲ ነኣኣቶም ብኣካል ዘስዕበሎም ጕድኣት፣ንስድራቤታቶም እውን ብዙሕ ጸገማት ዘምጽኣሎም እዩ።[222]

[217] መበል 100 ዓመት CA 37 ረአ
[218] ስራሕ ምክያድ LE 19፣22-23 ረአ
[219] መበል 100 ዓመት CA 48 ረአ
[220] ዘሌ 19፡13፣ዘዳ 24፡14-15፣ያዕ 5፡4 ረአ
[221] ፍሥሓን ተስፋን GS 67 § 2
[222] ስራሕ ምክያድ LE 18 ረአ

# V. ኣብ መንጎ ሃገራት፣ ፍትሒ ኅብረት

2437 ብደረጃ-ዓለም ዚረአ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ርኡይ "ፍልልይ"
1938 ዚፈጥር[223]፣ እቲ ዘይምዕሩይ ኣጠቓቕማ ሃብቲ-ዓለምን፣ ኤኮኖሚያዊ ዓቕምን እዩ። በቲ ሓደ ወገን ነቲ መጋበርታት ዕብየትን ምዕባሌን ዝሓዛ ሃገራት ኣለዋ፣ ብኻልእ ወገን ድማ ዕዳ ዚውህለለን ሃገራት ይርከባ።

2438 በዚ ሎሚ ግዜ፣ መንፈሳዊ፡ ፖለቲካዊ፣ ኤኮኖሚያውን ገንዘባውን
1911 ባሕርይ ዘለዎ በብዓይነቱ ዕላማታት፡ "ነቲ ማኅበረሰባዊ ሕቶ (ጕዳይ) ዓለምለኸ
2315 ገጽታ" ኪህቦ ይርከብ።[224] ብፖለቲካዊ መዳያት ድሮ ተሓጋገዝቲ ኣብ መንጎ ዝኾና ሃገራት ኅብረትን ሓድሕዳዊ ረድኤትን ኪህሉ ይግባእ። እዚ ድማ ነተን ዘይማዕበላ ሃገራት ንምዕባሌአን ዚዓግት "ዘይሥሩዕ መጋበሪታትን ኣገባባትን" ብዛዕባ ምድምሳስ ዚርኢ እንኪኸውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።[225] ከም ሓረጣ ዝበለ ተግባር'ኳ እንተዘይሃለወ፣ ግዕዙይ ዝኾነ ኣመሓዳድራ ገንዘብ፣ ኣብ መንጎ ሃገራት ዚፍጸም ክፍኣት ዝዓዘዞ ዘይፍትሓዊ ንግዳዊ ርክባት፣ ከምኡ'ውን ውድድር ኣጽዋር (ውግእ)፣ ነዚ ኹሉ ዚትክእ፣ ነቲ ኩሉ ሃብትን ክእለትን ናብ ናይ ሞራላውን፡ ሕንጸተሰባውን ኤኮኖሚያውን ምዕባሌ፣ "ንናይ ነገራት መዓርግን ቅድምናን ዳግም ናብ ምግማትን ምምዝዛንን"[226] ብዚመርሕን ዜርብሕን ብናይ ሓባር ጻዕሪ ኪትካእ ይግባእ።

2439 ንምዕባሌአን ከረጋግጻ (ከውሕሳ) ዘይከኣላ፣ ብባዕለን ንኺምዕብላ ዝተጸገማ፣ ወይ ከኣ ንኺምዕብላ ሓደገይና ብዝኾነ ታሪኻዊ ክውነታት ዝተዓንቀጻ ሃገራት፣ ነዚኣተን ብዚርኢ እተን ሃብታማት ወይ ምዕቡላት ሃገራት ዓቢይ ሞራላዊ ኃላፍነት ኣለወን። ኣብ መደብ ምትሕግጋዝን ግብረ-ሠናይን ዚኣቱ ግቡእነት እዩ፤ ከምኡ'ውን እቲ ናይ ሃብታማት ሃገራት ብልጽግና ርትዓዊ ዋጋ ካብ ዘይተኸፍለሉ ሃብቲ ዝፈልፈለ እንኪኸውን፣ እቲ ዝተጠቕሰ ሞራላዊ ኃላፍነት፡ ፍትሒ ዚሓቶ ግዴታ ይኸውን።

2440 ብተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት፡ ብተላገብ-ሕማምን ብኻልእ ተመሳሳልን ንዚመጽእ ፍሉይ ዝኾነ ግድነታት፣ ብቐጥታን ብንጥፈትን ዚግበር ረድኤት እቲ ግቡእን ብቑዕን ምላሽ እዩ። እንተኾነ እዚ፡ ነቲ ዝወረደ ዓቢይ ጕድኣትን ዘስዓቦ ጥፍኣትን ንዴትን ንምሕዋይ፣ ወይ ከኣ ንናይ ሓንቲ ሃገር ግድላት ወይ ግድነታት ነባሪ ፍታሕ ንምምጻእ ኣኻሊ ኣይኮነን። ምስ'ተን ዘይማዕበላ ሃገራት ምዕሩይን ቅኑዕን ዝኾነ ርክባት ብዝበለጸ ንምክያድ ምእንቲ ኪኸእሉ፡ ዓለምለኸን ኣህጉራውን ኤኮኖሚያውን ገንዘባውን (ፊናንሳያዊ) ትካላት ዳግም ምስርራዕን

[223] ኃልዮ ማኅ.ጕዳያት SRS 14 ረአ
[224] ኃልዮ ማኅ.ጕዳያት SRS 9
[225] ኃልዮ ማኅ.ጕዳያት SRS 17፣45 ረአ
[226] መበል 100 ዓመት CA 28፣ 35 ረአ

ምትዕርራይን ናይ ግዲ ከድሊ እዩ።[227] ድኻታት ሃገራት ንዕቤትን ንሓርነትን ኣብ ዚገብርኦ ጻዕሪ ሓገዝ ኪግበረለን የድሊ።[228] እዚ ትምህርት'ዚ፡ ብፍላይ ኣብ'ቲ ዚግበር ናይ ሕርሻ ጻዕርን ስራሕን ኪውዕል ዚግበኦ እዩ። ብፍላይ ኣብ'ቲ ሣልሳይ ዓለም ዝተሰምየ ወገን ካብ ዘለዉ ድኻታት ኣብዝሓኦም ሓረስቶት እዮም።

**2441** ንዝኾነ ይኹን ብቑዕን ምሉእን ምዕባሌ ሰብኣዊ ማኅበር፣ ብዛዕባ 1908
ኣምላኽ ዚህልወካ፡ ዝለዓለን ዝዓመቑን ስምዒትን ግምትን፡ ከምኡ'ውን ናይ ርእሰኻ ርድኢትን መሠረታዊ እዩ። እዚ ምዕባሌ'ዚ ነቲ ግዙፍ ጥሪትን መናበርታትን የብዝሕ፣ ንሰብን ንናጽነቱን ድማ የገልግል። ዘስካሕክሕ ድኽነትን፡ ኤኮኖሚያዊ ምዝመዛን የወግድ። ነቲ ልዑል ህላዌ ምቕባልን፣ ባህላውን ሕንጸተሰባውን መንነት ምኽባርን ከኣ ንዕቤት ከምዚሕግዝ ይገብር።[229]

**2442** ንማኅበራዊ ናብራ ብፖለቲካዊ መንገዲ ናይ ምውዳብን ምስራዕን፣ 899
ብቐጥታ ኢድ ናይ ምእታውን ተግባር ናይ ጓሶት ወይ መራሕቲ ቤተክርስትያን እጃም ኣይኮነን። እዚ ዕማም'ዚ ናይ ምእመናን-ሕዝባውያን (ዓለማውያን) ጸዋዕታ እዩ፤ ከምኦም ምስ ዝበሉ ዜጋታት ሠሚሮም ብዚገብርዎ ናይ ገዛእ ርእሶም ተበግሦ ይፍጸም። ማኅበራዊ ንጥፈታት ዝተፈላለየ ርኡይን ግሁድን መልክዕ ኪህልዎ ይከኣል። ወትሩ ግዜ ግን፡ ነቲ ሓባራዊ ረብሓ ዝሓለወን፣ ንመልእኽቲ ወንጌልን ትምህርቲ ቤተክርስትያንን ኣብ ግምት ዘእተወን ኪኸውን ኣለዎ። "ናይ ሰላምን ፍትሕን ርትዕን መጋበሪ ከም ምኳኖም መጠን ምስክርነቶም ዜነጽሩሉ በቲ ክርስትያናዊ ተወፋይነቶምን ሃለዋቶምን፣ ነቲ ምድራዊ ነገራት ሕይወት ምሃብ"፣[230] ናይ'ቶም ምእመናን-ሕዝባውያን እጃም እዩ።

# VI. ኣፍቅሮ ድኻታት 2544-2547

**2443** ኣብ ረድኤት-ድኻታት ንዚነጥፉ ኣምላኽ ይባርኾም፣ ካብኣ'ቶም ገጾም 786: 525
ንዚግልብጡ ድማ ይግሥፆም፣ "ንዝለመነካ ሃቦ፣ ካባኻ ኪልቃሕ ንዚደሊ'ውን 544
ኣይትኽልኣዮ"፣ "ብናጻ ተቐቢልኩም ኢኹም'ሞ ብናጻ ሃቡ"[231]። ኢየሱስ 853
ክርስቶስ ድማ ኣብ መወዳእታ ዓለም ነቶም ኅሩያቱ ዘለልዮምን ዚፈልዮምን፡ በቲ ምእንቲ ድኻታት ዝገበርዎ እዩ።[232] ነቶም ድኻታት "እቲ ጥዑም ዜና (ወንጌል) ምስ ተሰብከሎም" ናይ ህላዌ-ክርስቶስ ምልክት እዩ።[233]

[227] ኃልዮ ማኅ.ጕዳያት SRS 16 ረአ
[228] መበል 100 ዓመት CA 26 ረአ
[229] ኃልዮ ማኅ.ጕዳያት SRS 32፣መበል 100 ዓመት CA 51 ረአ
[230] ኃልዮ ማኅ.ጕዳያት SRS 47 § 6፣42 ረአ
[231] ማቴ 5፡42፣10፡8
[232] ማቴ 25፡31-36 ረአ
[233] ማቴ 11፡5፣ሉቃ 4፡18 ረአ

**2444** “ቤተክርስትያን ንድኻታት እተርእዮ ኣፍቅሮ…ናይ’ቲ ቀጻሊ ትውፊት
1716 ክፍሊ እዩ”። እዚ ፍቕር’ዚ በቲ ኣብ ወንጌል ዘሎ ኣንቀጸ-ብፅዓን፣ ናይ ኢየሱስ ድኽነትን፤ ብድኻታት ተገዳስነትን ዝተደረኸ ወይ ዝተመርሐ እዩ።[234] “ንቶም ኣብ ጸገም (ግድነት) ዘለዉ ክትህብ ምኽኣል”[235]፣ ከምኡ ናይ ምግባር ግቡእነት ካብ’ቲ ገሊኡ ፅላማታቱ ኣፍቅሮ-ድኻታት እዩ። እዚ ከኣ ኣብ’ቲ ግዙፍ ንብረት ድኽነት ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ናብ’ቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ናይ ሕንጸተሰብን መንፈሳውን ድኽነት’ውን ዚበጽሕ እዩ።[236]

**2445** ኣፍቅሮ ድኻታት፡ ምስ’ቲ ቀጥዒ ዘይብሉ ኣፍቅሮ-ንዋይ (ገንዘብን
2536 ሃብትን) ወይ ከኣ ምስ’ቲ ስሱዕ ኣጠቓቕማኡ ዘየሳኒ እዩ፡-

2547 “ሕጂ ከኣ ኣቱም ሃብታማት ስምዑ! በቲ ዚመጽኣኩም ዘሎ መከራ ዋይ! ዋይ! እናበልኩም ብኸዩ። ሃብትኹም መሽሚሹ ክዳውንትኹም’ውን ባልዕ በሊዑዎ። ወርቅኹምን ብሩርኩምን መሪቱ፣ እቲ ምምራቱ ከኣ ኪኸሰኩም እዩ። ኣብ’ዛ ኃላፊት ዓለም’ዚኣ ሃብቱ ስለዝኣከብኩም ድማ ንሥጋኹም ከም ሓዊ ኪበልዖ እዩ። እንሆ እቲ ንስኻትኩም ዝገደብኩምዎም ግርሁኹም ናይ ዝዓጸዱ ዓየይቲ ውዕለት የእዊ ኣሎ። ኣውያት እቶም ዓጻዱ’ውን ኣብ እዝኒ እግዚኣብሔር ጐይታ-ሠራዊት በጺሑ ኣሎ። ኣብ ምድሪ ሓንቂቕኩምን ጥዒሙኩምን ከም ንመዓልቲ-ማሕረዲ’ውን ገዛእ ርእስኹም ኣስቢሕኩም ኣሎኹም። ንቲ ኪከላኸል ዘይክእል ጻድቕ ሰብ’ውን ፈረድኩምዎን ቀተልኩምዎን።[237]

**2446** ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ድማ ኣበርቲዑ ነዚ የዘኻኽር፡- “ንድኻታት
2402 ካብ’ቲ ጥሪትናን ረብሓናን ከነሳትፎም እንተዘይክኢልና፣ ካብኣቶም ንሰርቕ፡ ሕይወት’ውን ንኸልኦም ኣሎና ማለት እዩ። እዚ እንውንኖ ጥሪት ወይ ንብረት ኣይብጸሓናን እዩ፣ ናቶም እዩ”[238]፤ “ቅድሚ ኹሉ እቲ ናይ ፍትሒ ሕቶ (ጠለብ) ኪፍጸም ኣለዎ። እቲ ብፍትሒ/ርትዒ ዚግበኣካ ኸኣ፣ ከም ናይ ልግሲ ህያብ ኮይኑ ኪውፈየልካ ኣይግባእን”፤[239]

ነቶም ኣብ ግድነት (ጸገም) ዘለዉ ቍሊሕ ክንብሎም ከሎና፣ ናትና ዘይኮነስ እቲ ናቶም (ዚግበኦም) ኢና እንህቦም ዘሎና። ግብረ-ምሕረት ካብ ምፍጻም ንላዕሊ፣ ነቲ ዘሎና ዕዳ-ፍትሒ ኢና እንኸፍል።[240]

**2447** ግብረ ምሕረት ኪበሃል ከሎ፣ ንብጻይና በቲ መንፈሳውን ሥጋውን
1460 ጸገማቱ እንረድኣሉ ናይ ግብረ-ሠናይ ንጥፈት እዩ።[241] ምምሃር፣ ምምካር፣
1038:1969 ምጽንናዕ፣ ልክዕ ከምቲ ንዝበደለ ይቕረ ምባልን፡ ብትዕግሥቲ ምጻርን ናይ ምሕረት

---

[234] መበል 100 ዓመት CA 57፣ሉቃ 6:20-22፣ ማቴ 8:20፣ማር 12:41-44 ረአ
[235] ኤፌ 4:28
[236] መበል 100 ዓመት CA 57 ረአ
[237] ያዕ 5:1-6
[238] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ Hom. in Lazaro 2, 5፡ PG 48, 992.
[239] ሓዋርያዊ ተልእኮ AA 8 § 5
[240] ቅ.ጎርጎርዮስ ዓቢይ Regula Pastoralis. 3, 21፡ PL 77, 87.
[241] ኢሳ 58:6-7፣ዕብ 13:3 ረአ

መንፈሳዊ ተግባር እዩ። እቲ ግዙፍ ናይ ምሕረት ተግባራት ድማ፣ ብፍላይ ንጥሙይ ምዕንጋል፣ መጽለሊ (ቤት) ንዘይብሎም ምዕቋብ፣ ንዝዓረቑ ምልባስ፣ ንዝሓመሙ ንዝተሓበሱ ምብጻሕ፣ ከምኡ'ውን ንዝሞቱ ምቕባር የጠቓልል።[242] ምስ'ዚ ድማ፡ ንድኻ ምምጽዋት ሓደ ካብ'ቲ ናይ ኀውንታዊ ፍቕርን ግብረ-ሠናይን ቀንዲ መግለጺ እዩ፤ ንኣምላኽ ዘሓጉስ ናይ ፍትሒ ተግባር'ውን እዩ፡[243]

> ክልተ ክዳን ዘለዎ ነቲ ዘይብሉ ይምቀሎ። ቀለብ ዘለዎ ድማ ከምኡ 1004
> ይግበር።[244] ግናኸ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ንምጽዋት ሃቡ፣ እነሆ ሽዑ ኩሉ ነገር ጽሩይ ኪኾነልኩም እዩ።[245] ኃው ወይ ኃውቲ እንተዓረቑ፡ ምግቢ-ዕለት'ውን እንተሰኣኑ፣ እሞ ሓደ ካባኻትኩም ንሥጋኦም ዘድሊ ከይሃበ፡ "ብሰላም ኪዱ ሙቑ፣ ጽገቡ" እንተበሎም እንታይ ይጠቅም።[246]

**2448** ግዙፍ ስእነት፣ ግፍዓዊ ጭቈና፣ ግዙፍ ኣካላዊ ኮነ ሥነልቦናዊ 386
(ኣእምሮኣዊ) ሕማምን ሞትን፣ ከምዚ ዝበለ ዝተፈላለየ መልክዕ ዘለዎ ሰብኣዊ 1586
ውርደት፣ ወድሰብ ኵነቱ ሳዕቤን-ኃጢኣት ምዃኑ ዘስተውዕለሉ ናይ'ቲ ዝተወርሰ ሃለዋት ድኻምነትን፡ ናይ ድኅነት ኣድላይነትን፡ ንጹር ምልክትን መርኣያን እዩ። እዚ ውርደተይና ሃለዋት ድማ ናይ'ቲ መድኃኒ ዝኾነ ክርስቶስ ርኅራኄ ኣለዓዒሉ። ንሱ ነቲ ውርደት ብፍቓዱ ኣብ ርእሱ ተቐቢሉ፣ ምስ'ቲ ካብ ኣኀዋት ዝተሓተ (ዝነኣሰ) ወገን ኀብረት-ሓድነት ተኺሉ። ምእንት'ዚ እቶም ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ድኽነት ዝተጨቈኑ፡ ብወገን ቤተክርስትያን ፍሉይ ዝኾነ ፍቕሪ ዚቕበሉ እዮም። ናይ ብዙኃት ኣባላታ፡ ውድቀትን ድኻምነትን ደኣ የሃሉ'ምበር፣ ካብ ጥንተ-መሠረታ ኣትሒዛ ቤተክርስትያን፡ ምእንቲ ከተርህወሎም፣ ክትከላኸለሎም፣ ወትሩን ኣብ ኩሉን ብዘገድስ ብብዙሕ ዓይነት ስራሓት ግብረ-ሠናይ ሓራ ንኽተውጽኦም ካብ ምንቅስቓስ ዓዲ ኣይወዓለትን።"[247]

**2449** ካብ ዘመነ ብሉይ ኪዳን ኣትሒዙ ዚዝውተር ዝነበረ ኩሉ ዓይነት ሕጋዊ 1397
ኣገባባት (ዕዳ ዚመሓረሉ ዓመተ ኢዮቤል፣ ናይ ሓረጣ ለቕሓ ኮነ፡ ዋሕስ ምሓዝ ምኽልካል፣ ናይ ዓሥራት (ዕሽር) በዥራት ግዴታ፣ ንመዓልታዊ ሰራሕተይና ዕለታዊ ደሞዙ፣ ኣብ ኣታኽልት ወይንን ግራውትን ክትቅርም ዘሎ መሰል)፡ እዚ ኹሉ ነቲ ኣብ ኦሪት ዘዳግም ዘሎ ማዕዳ ዚምልሽ እዩ፡- "ኣብ ማእከል ሃገር ድኻታት ኣይኪሰኣኑን እዮም'ሞ፣ ነቲ ኣብ ሃገርኩም ዘሎ እስራኤላዊ ኃውኹምን ሽጉርኩምን ድኻኹምን ኣጸቢቕኩም ብልግሲ ሃብዎ"።[248] ኢየሱስ እውን ነዘን ቃላት'ዚኣተን ናቱ ኺገብረን ይርከብ "ድኻታትሲ ኵሉሳዕ ምሳኻትኩም ኣለዉ፤

---

[242] ማቴ 25፡31-46 ረአ
[243] ጦቢ 4፡5-11፣ሢራ 17፡22፣ማቴ 6፡2-4 ረአ
[244] ሉቃ 3፡11
[245] ሉቃ 11፡41
[246] ያዕ 2፡15-16፣1 ዮሓ 3፡17 ረአ
[247] ክፍሊ ትምህርት እምነት CDF, instruction, Libertatis conscientia, 68.
[248] ዘዳ 15፡11

*ነኣይ ግና ሎሉሳዕ ኣይክትረኽቡንን ኢኹም"።[249] ከምዚ ኪብል እንከሎ፣ "ነቲ መስኪን ከኣ ብሓንቲ ጽምዲ ሣእኒ፡ ባርያ ንኪኽውን ክንገዝኦ ኢና" ዚብል ኣቐዲሙ ዝተዋህበ ኃይለቃል፡ ብምቅዋም ንዝነበሮ ክብደት ከለሳልስ ኢሉ ዘይኮነስ፣ ኣጎዋቱ ኣብ ዝኾኑ ድኻታት ንሱ ከምዘሎ ከምንፈልጥ ይገብረና።[250]*

786 *ነቶም ድኻታትን ጽጉማትን ምግዱራትን ክትከናኸን ዝረኣየታ ኣዲኣ ምስ ወቐሰታ፣ ቅድስቲ ሮዛ በዓልቲ ሊማ እንክትምልሽላ፡ "ንድኻታትን ንሕሙማንን ከነገልግል ከሎና ንኢየሱስ ኢና እነገልግል። ኣብኣቶም ንኢየሱስ ከነገልግል ስለዝኾንና፣ ንብጾትና ኣብ ምሕጋዝ ክንሰንፍ የብልናን።[251]*

# ብሓጺር

**2450** *"ኣይትቕተል" (ዘፀ.20፡15፤ ዘዳግ.5፡19)። "ሰረቕቲ ወይ ስሱዓት ወይ ሰኽራማት ወይ ተጻረፍቲ፣ ከተርቲ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ኣይኪወርስዋን እዮም።" (1ቆሮ.6፡10)*

**2451** *ንምድራዊ ነገራትን፡ ናይ ደቅሰብ ፍርያትን ኣብ ምምሕዳር፣ መደብ ፍትሕን ፍቕርን ከነዘውትር፡ እቲ ሻብዓይ ትእዛዝ የማሕጽነና።*

**2452** *ሃብቲ ፍጥረት ንጠቕሚ መላእ ዓሌትሰብ ዝተመደበ እዩ። ናይ ግላዊ ንብረት መሰል ምህላው፣ ነዚ ናይ ሃብቲ ሓባራዊ ዕላማ ኣየትርፎን እዩ።*

**2453** *ሻብዓይ ትእዛዝ ስርቂ ይኽልክል። ስርቂ ማለት፡ ዋና-ንብረት ብዘይደለዮን ብዘይደገፎን ኣገባብ፡ ንብረቱ ምጎዳግ ወይ ምውሳድ እዩ።*

**2454** *ቅኑዕ ብዘይኮነ ዝኾነ ይኹን ኣገባብ፡ ንናይ ካልእ ንብረት ወይ ጥሪት ምውሳድ ወይ ምጥቃም፡ ተጻይ ሻብዓይ ትእዛዝ እዩ። እቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ድማ ካሕሣ የሓትት። ፍትሒ-ተዋልጦ ከኣ እቲ ዝተሰርቀ ንብረት ንኺምለስ የገድድ።*

**2455** *ብንግዳዊ ወይ ከኣ ምልካዊ ዕላማ ተመሪሕካ ንሰብኣዊ ፍጡር፡ ኣብ ባርነት፡ ወይ ድማ ከም ኣቕሓ-ዕዳጋ ኪሽየጥን ኪልወጥን ዚገብር ኣገባባት፣ ብሕጊ ሞራል ዝተኸልከለ እዩ።*

**2456** *ኣብ ልዕሊ ናይ ማዕድንን ኣትክልትን፡ እንስሳታትን ሃብቲ-ዓለም፡ ንወድሰብ ብፈጣሪ ዝተዋህቦ ሥልጣን፣ ብመንፅር'ቶም*

---

[249] የሓ 12፡8
[250] ኣሞ 8፡6፣ማቴ 25፡40 ረአ
[251] P. Hansen, Vita mirabilis (Louvain, 1668).

ንሓዋሩ ዚመጽኡ ወለዶታት'ውን ከይተረፈ፣ ካብ'ቲ ናይ ሞራል ግዴታ ተነጺሉ ዘይረአ እዩ።

2457 እንስሳታት ንሓለዋ ወድሰብ ሕድሪ ዝተዋህቡ እዮም። ስለ'ዚ ብሕያውነትን ርኅራኄን ኪሕዞም ይግባእ። ነቲ ቅኑዕን ግቡእን ዝኾነ ባህግታት-ወድሰብ ንምዕጋብ ከገልግሉ ዚኽእሉ እዮም።

2458 ንመሠረታዊ ሰብኣዊ መሰላት፡ ወይ ከኣ ንድኅነት-ነፍሳት ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ፣ ቤተክርስትያን ብዛዕባ ኤኮኖሚያውን ማኅበራውን ጕዳያት ፍርዳ ክትህብ ትርከብ። መወዳእታ ዕላማኡ ናብ ዝኾነ ልዑል ሠናይ ነገር ዘተኲረ ስለዝኾነ፣ ቤተክርስትያን ብምድራዊ ናይ ደቅሰብ ሓባራዊ ረብሓ ትግደስ እያ።

2459 ናይ ኵሉ ኤኮኖሚያውን ማኅበረሰባውን ሕይወቱ ዋና ሃንዳሲ፣ ዓንደማእከልን፡ ዕላማን ባዕሉ ሰብ እዩ። ናይ'ቲ ማኅበረሰባዊ ጕዳይ (ሕቶ) ቀንዲ ነጥቢ ድማ፣ እቲ ብኣምላኽ ንኹሉ ዝተፈጥረ ሃብቲ፣ ብመሠረት መደባት ፍትሕን፡ ብደገፍ ግብረሠናይን ናብ ኩሉ ሰብ ኪባጻሕ ዚብል እዩ።

2460 ናይ ስራሕ ጥንተ-መሠረታዊ ቍምነገር፣ ካብ'ቲ ዋናኡን ተጠቃሚኡን ዝኾነ ሰብ ይፍልፍል። በዚ ስራሑን ጻዕሩን ወድሰብ ኣብ ናይ ፈጣሪ ስራሕ ይሳተፍ። ምስ ክርስቶስ ብምውህሃድ ዚግበር ስራሕ ናይ ቤዛውነት ጠባይ ኣለዎ።

2461 ሓቀይና ምዕብልና ንሰብ ብ'ኵሉ ምልኣቱ ዚትንከፍ እዩ። ነፍስወከፍ ሰብ ንጸዋዕታኡን፡ ንመጸዋዕታ-ኣምላኽ ብዚግባእ ንምምላሽ በብግዜኡ ዚገብሮ ናይ ዓቕሙ ምምሕያሽ ዚርኢ እዩ። (መበል 100 ዓመት CA. 29)

2462 ንድኻታት ምምጽዋት ናይ ኅውነታዊ ግብረ ሠናይን ፍቕርን ምስክርነት እዩ። ንኣምላኽ ዘሓጕስ ግብረ ፍትሒ እውን እዩ።

2463 እንጌራ፣ መዕቈቢ ገዛ፣ ወይ ቦታ ኣብ ዘይብሎም ኣእላፋት ሰብኣዊ ፍጡራን፣ እቲ ኣብ ምሳሌ-ወንጌል ዘሎ ዝጠመየ ለማናይ ኣልኣዛር፣ ኣብዚኣቶም ከይረአናዮ ከመይ ኢልና ንተርፍ? (ሉቃ. 17፡ 19-31 ረአ)። “ነዞም ናእሽቱ ዘይገበርኩምዎ ኾሉ ነኣይ ዘይገበርኩምዎ እዩ” (ማቴ.25፡45) ንዚብል ኢየሱስ ከመይ ኢልና ዘይሰማዕናዮ?

# ኣንቀጽ 8
# ሻምናይ ትእዛዝ

"ኣብ ልዕሊ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር"[252]

"ንቶም ቀዳሞት፣ "ማሕላኻ ንእግዚኣብሔር ሃብ እምበር፣ ብሓሶት ኣይትምሓል" ከም ዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም።[253]

**2464** ምስ ካልኦት ኣብ እንገብሮ ርክባት ንሓቂ ከይነዘናብል ሻምናይ ትእዛዝ ይኸልክለና። እቲ ቅዱስ ሕዝቢ ነቲ ሓቂ ብርእሳ ዝኾነን፣ ሓቂ ዚደልን ኣምላኹ ምስክርነቱ ኪህብ ተጸዊዑ እዩ። ካብ'ዚ ጸዋዕታ'ዚ ከኣ እቲ ሞራላዊ ሕግን ትእዛዝን ይፍልፍል። ተጻይ ሓቂ ዚፍጸም በደል፣ ብቓል ወይ ብተግባር ንሞራላዊ ቅንዕና ንኸይትውፈን ከይትዕጠቕን፡ ዚግበር ውሳኔ እዩ፤ ብመሠረቱ ንኣምላኽ እሙን ዘይምዃን እንኪኸውን፡ ኺዳን ንዝተሓንጸሉ መሠረት ኣብ ግምት ዘየእቱ እዩ።

## I. ኣብ ሓቂ ምንባር

**2465** ኣምላኽ ምንጪ ኹሉ ሓቂ ምዃኑ ብሉይ ኪዳን ዜረጋግጽ እዩ። ቃሉ
215 ሓቂ እዩ። ሕጉ ሓቂ እዩ። "ተኣማንነቱ ንውሉድ ወለዶ ይነብር"።[254] ኣምላኽ "ሓቀይና" ስለዝኾነ፣ እቶም ኣባላት ሕዝቡ'ውን ኣብ ሓቂ ንኺነብሩ ዝተጸውዑ እዮም።[255]

**2466** እቲ ናይ ኣምላኽ ሓቂ ብምሉኡ፣ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ተገሊጹልና
2153 እዩ። "ጸጋን ሓቅን (ጽድቅን) መሊእዎ"፣ ከም መጠን "ብርሃን'ዚ ዓለም'ዚ መጽኣ፤ ንሱ እታ ሓቂ እዩ።[256] "እቲ በኣይ ዚኣምን ዘበለ፣ ኣብ ጸልማት ኣይነብርን"[257]። እቲ ተኸታል-ኢየሱስ ኣብ ቃሉ ብምጽናዕ፣ "ነታ ሓራ እተውጽእ ሓቂ"፣ ነታ እትቕድስ ሓቂ ናብ ምፍላጣ ይበጽሕ።[258] ንኢየሱስ ምኽታል ማለት፡ ኣቦ ብስሙ ኣብ ዚልእኮ፡ ንኹሉ ሰብ "ናብ ምልኣት-ሓቂ" ኣብ ዚመርሕ፣ ኣብ'ቲ "መንፈስ ሓቂ" ምንባር ማለት እዩ።[259] ዘረባኹም'ሲ፡ እወ እወ፣ ኣይኮነን ኣይኮነን፣

---

[252] ዘፀ 20፡16፣ዘዳ 5፡20 ረአ
[253] ማቴ 5፡33
[254] መዝ 119፡90፣Prov 8፡7፣2 ሳሙ 7፡28፣ መዝ 119፡142፣ሉቃ 1፡50 ረአ
[255] ሮሜ 3፡4፣መዝ 119፡30 ረአ
[256] ዮሓ 1፡14፣8፡12፣14፡6 ረአ
[257] ዮሓ 12፡46
[258] ዮሓ 8፡32፣17፡17 ረአ
[259] ዮሓ 16፡13

ይኹን"[260] ብምባል ኢየሱስ፡ ደረት ዘይብሉን ዘይልወጥን ፍቕሪ-ሓቂ ኪሓድሮም ንተኸተልቱ ኣመልከተሎም።

2467 ወድሰብ ብባሕሪኡ ናብ ሓቂ ዝዘንበለ እዩ። ንሓቂ ከኽብርን፡ ኪምስክርን ግዴታ ኣለዎ፣ "ሰባት ብምኻኖም በቲ ሰብኣዊ ክብሮም መሠረት... ነታ ሓቂ ኪደልዩዋን፡ ብፍላይ ነታ መንፈሳዊት ናይ እምነት ሓቂ ሃሰስ ኪብልዋ፣ ብባሕሪኦምን፡ በቲ ሞራላዊ ግዴታን ትሑዛት እዮም። ንሓቂ ምስ ረኸብዋ'ውን ኣደልዲሎም ኪሕዝዋን፣ መንገዲ ሓቂ ብዚህቦ መደብ ንሕይወቶም ኪመርሕዋን ይግደዱ።"[261] 2104

2468 ኣብ ኩሉ ሰብኣዊ ተግባርን ዘረባን፡ ሓቂ ኪበሃል ከሎ፣ ሓቅነት ምኽታል ወይ ሓቀይና ምኻን፣ ቅንዕናን ግልጽነትን እዩ። ሓቂ ወይ ሓቀይና ምኻን ሓደ መንፈሳዊ ኃይሊ እዩ፤ ኣብ ተግባራትካን ኣብ ኩሉ ቃላትካን ኩሉ ሓቂ ብምሓዝን፣ ግብዝነትን ሓሶትን፣ ኣመሳሲልካ ካብ ምክያድን ርእስኻ ብምሕላው ዚረአ እዩ። 1458

2469 "ኣብ ነንሓድሕዶም ብመንገዲ ሓቂ ይካየዱ ከምዘለዉ፡ ሓድሕዳዊ ምትእምማን እንተዘየጥርዮም ሰባት ብኅብረት ኪነብሩ ኣይምኽኣሉን"።[262] እዚ መንፈሳዊ ኃይሊ-ሓቅነት ነቲ ኻልእ ወገን ዚግበኦ (ብጽሒቱ) ኪህቦ ዚርከብ እዩ። ኣብ መንጎ'ቲ ኪገሃድ ዚግበኦን፣ ብስቱር ኪተሓዝ ዘለዎን ንዚርከብ ትኽክለይና ሚዛን ዚሕልዎ ሓቅነት እዩ፤ ቅንዕናን ናይ ሜማ ልቦናን ግን የሓትት። ብዓይኒ ርትዕን ፍትሕን ኪረአ ከሎ፣ "ከም መጠን ጕዳይ ክብረት፣ ሓደ ሰብ ነቲ ካልእ ሰብ እታ ሓቂ ኪገልጸሉ ትሑዝ እዩ"።[263] 1807

2470 እቲ ተኸታል-ክርስቶስ "ብሓቂ ኪነብር" ዝወሰነ እዩ፤ እዚ ማለት ከኣ፡ ነቲ ኣብነት-ጐይታ ብዚሰማማዕ ትሑትን ለዋህን ሕይወት፣ እሞ ኣብ ሓቅነት ዚንበር ሕይወት እዩ። "ምስኡ ኅብረት ኣሎና" እናበልና፣ ኣብ ጸልማት እንተ ነበርና ንሕሱ ኣሎና" ሓቂ'ውን ኣይንገብርን ኢና ዘሎና"።[264]

## II. ንሓቂ ምምስካር

2471 "ንሓቂ ክምስክር.... ምእንት'ዚ እየ ናብ ዓለም ዝመጻእኩ"[265] ኪብል ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ብግልጺ ይነግር። እቲ ክርስትያን እምበኣር፣ 1816

---

[260] ማቴ 5፡37
[261] ክብረ-ሰብ DH 2 § 2
[262] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II 109, 3 ad 1.
[263] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II, 109, 3, corp. art.
[264] 1 ዮሓ 1፡6
[265] ዮሓ 18፡37

“ንዅይታና ብምምስካር ኪሓፍር”[266] የብሉን። ንእምነቱ ኪምስክረሉ ኣብ ዘሎዎ ኵነታት እቲ ክርስትያን ብዘይካ ዕምሉግሉግን ሽፍንፍንን፣ ከም’ቲ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ቅድሚ ፈረድቱ ዝገበሮ ብግልጺ ኪእመን ይግበኦ። “ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮነ፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ንጹሕ ኅሊና፡ ኪህልወና[267] የድሊ።

**2472** ክርስትያን፡ ኣብ ሕይወት ቤተክርስትያን ንኺሳተፉ ዘለዎም ግቡእነት፣
863 መጠን መሰኻኽር ወንጌልን፣ስዒቡ ብዚመጽእ ግዴታታትን ንኪሰርሑ የገድዶም።
905 እዚ ምስክርነት’ዚ ድማ ብቃላትን ብተግባራትን ገቢርካ እምነት ምትሕልላፍ
1807 እዩ። ምስክርነት እምበኣር ግብረ-ጽድቂ ፍትሒ እዩ፤ ንሓቂ የጽንዓን የርግኣን፣ ከምትፍለጥ ከኣ ይገብራ።[268]

> ኵሎም ክርስትያን፡ ኣብ ዘዘለውዎ ኮይኖም፣ ብኣብነታዊ ሕይወቶምን ብናይ ቃላት ምስክርነቶምን፣ነቲ ኣብ ጥምቀቶም ዝለበስዎ ሓዲሽ ሰብ ከግህድዎን፣ ንኸበርትየም ኣብ ቅብዓተ-ሜሮን ዝተቐበልዎ ኃይሊ-መንፈስ ቅዱስ ኪገልጽዎን ግዴታ ኣለዎም።[269]

**2473** ንሓቅነት-እምነት ዚወሃብ ዝለዓለ ምስክርነት ሰማዕትነት ይበሃል፤
852 ብሞት ምስክርነትካ ክሳብ ምሃብ ማለት እዩ። እቲ ሰማዕት፡ ነቲ ዝሞተን ዝተን
1808 ሡአን፣ ነቲ ብፍቕሪ ምስኡ ዝተወሃሃደን ክርስቶስ ምስክርነቱ ይህብ። ንሓቅነት-
1258 እምነትን፣ ንክርስትያናዊ ትምህርተ-ሃይማኖትን ይምስክር። ብጽንዓት ንሞት ይጻወርን ይቕበልን። “በኣኡ ኣቢለ ናብ ኣምላኽ ዝበጽሓሉ ዕድል ስለዘሎኒ፣ ናይ ኣራዊት ምግቢ ክኸውን ሕደጉኒ”።[270]

**2474** ክሳብ መወዳእታ፡ ናይ እምነቶም መሰኻኽር ኮይኖም ናይ ዝጸንዑ ሰባት ዝኽርን ታሪኽን፡ ቤተክርስትያን ብጥንቃቐ ትእክቦን ትዝግቦን እያ። እዚ ኸኣ እቲ ገድሊ ሰማዕታት እዩ። ብናይ ደም ፊደላት ዝተጻሕፈ መዛግብ-ሓቂ ኮይኑ ይርከብ።

> 1011 ናይ’ዚ ዓለም’ዚ ባህታን ደስታን ኮነ፣ ናይ’ዚ ዓለም’ዚ መንግሥታቱ ነኣይ ዚጠቕመኒ የብሉን። ኣነ እንተኸይነ ካብ ጫፍ-ምድሪ ክሳብ ጫፍ-ምድሪ ካብ ምግዛእ፡ ምእንቲ ክርስቶስ ኢየሱስ ክመውት ይበልጸኒ (ርእሰይ ምስኡ ምእንቲ ከወሃህድ)። ነቲ ምእንታይ ዝሞተ፣ ነኣኡ እደሊ ኣሎኹ፤ ነቲ ምእንታና ኢሉ ዝተንሥአ፣ ነኣኡ ሃረር እብል። ደጊምስ ልደተይ ይቐርብ ኣሎ…[271]
>
> ካብ’ዛ ሰዓት’ዚኣን ዕለት’ዚኣን ኣትሒዘ፣ ምስ’ቶም ሰማዕት’ኻ ከምዝጽብጸብ ስለዝገበርካኒ፣ ኣመስግነካን እውድሰካን ኣሎኹ….ኦ ናይ ተኣማንነትን

---

[266] 2 ጢሞ 1፡8
[267] ግ.ሓ 24፡16
[268] ማቴ 18፡16 ረኣ
[269] ናብ ኣሕዛብ AG 11
[270] ቅ.እግናጽዮስ ዘኣንጾኪያ Ad Rom. 4, 1፡ SCh 10, 110.
[271] ቅ.እግናጽዮስ ዘኣንጾኪያ Ad Rom. 6, 1-2፡ SCh 10, 114.

ሓቅነትን ኣምላኽ ቃልካ ሓሊኻ ኢኻ። በዚ ምኽንያት'ዝን ብኻልእ ዅሉን በቲ ዘለዓለማውን ሰማያውን ሊቀካህን ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቑር ወድኻ እውድሰካ፡ እባርኸካ (ኣመስግነካ)፡ ኣኽብረካ ኣሎኹ። በኣኡ በቲ ምሳኻ ዚነብርን፣ ብመንፈስ ቅዱስን ክብርን ውዳሴን ይብጻሕካ፡ ሕጅን ንዘለኣለምን ኣሜን።[272]

## III. ተጻይ ሓቂ ዚፍጸም በደል

2475 ተኸተልቲ-ክርስቶስ "ነቲ በ'ርኣያ እግዚኣብሔር ብጽድቅን ብቕድስናን ዝተፈጥረ ሓዲሽ ሰብ ዝለበሱ"[273] እዮም። ስለ'ዚ እምበኣር "ሓሶት ምዝራብ ገዲፎም"፣ "ንዅሉ ክፍኣትን፣ ኩሉ ጕርሕን፣ ግብዝናን፣ ቅንኢን፣ ኩሉ ሕመታን ክርሕቑ"[274] ይግብኦም።

2476 *ሓሳዊ ምስክርነትን፣ ዕልወትን።* ንሓቂ ዚኽሕድ ዘረባ ግልጺ ብግልጺ ኪፍጸም ከሎ ፍሉይ ዝኾነ ክብደት ኣለዎ። ኣብ ቅድሚ ቤትፍርዲ እንኪኸውን ሓሳዊ ምስክር ይበሃል።[275] ብማሕላ ዝተፈጸመ እንኪኸውን ዕልወት ወይ ክሕደት እዩ። ከም'ዚ ዝበለ ተግባራት ነቶም ንጹሓን ንምውንጃልን፣ ንገበነይናታት ንምብያንን፣ ወይ ከኣ ነቶም ዝተኸሰሱ ወገናት ቅጽዓቶም ንምውሳኽ ግዴኡ ዘበርክት እዩ።[276] ንግብረ-ፍትሒ ብቐንዱ ኮነ፣ ንናይ ፍርዳዊ ውሳኔ ርትዓውነት ኣዝዩ ኣብ ጸገም ዘውድቕ እዩ። 2152

2477 *ክብሪ-ሰባት ንምሕላው፣* ዝኾነይኹን መደብ ፍትሕን ርትዕን ዝጠሓሰ በደል፣ ብኣቀራርባና ይኹን ብቃልና ከይንፍጽም ንኽልከል።[277] ሓደ ሰብ በዚ ጕዳይ'ዚ በደለይና ዚኸውን፡-

- *ህዉኽ ፍርዲ፡-* ብሱቕተይና መንገዲ'ውን ይኹን፡ ብዘይ ዝኾነ ብቑዕ መሠረትን ምኽንያትን፡ ነቲ ብጻይካ ፈጺምዎ ዝተባህሎ ሞራላዊ ጌጋ፡ ከም ሓቂ ምግማት፣
- *ምንጅኣስ (ንሰባት)፡-* ብርእሱ ብቕዓት ብዘይብሉ ምኽንያት ንናይ ካልእ በደልን ጌጋን ምቅላዕ፣ ንዘይፈልጥዎ ሰባት ምግላጽ[278]፣
- *ናይ ሓሶት ውዲት፡-* ንሓቂ ብዚጻረር ግምትን ዘረባን ንክብሪ-ካልኦት ሰባት ብምህሳይ፣ ብዛዕባኣቶም ግጉይ ፍርዲ ንምሃብ ምኽንያት ምዃን።

---

[272] ሰማዕትነት ፖሊካርፖስ 14፣2-3 PG 5, 1040 SCh 10,228.
[273] ኤፌ 4፡24
[274] ኤፌ 4፡25፣1 ጴጥ 2፡1
[275] ምሳ 19፡9 ረኣ
[276] ምሳ 18፡5 ረኣ
[277] ሕገቀኖና፣ ቀ. 220 ረኣ
[278] ሢራ 21፡28 ረኣ

**2478** ነፍስወከፍ ሰብ ድማ፡ ነቲ ህዉኽ ፍርድን ግምትን ንኽወግድ፣ ብዚከኣሎ መጠን፡ንናይ ብጻዩ ሓሳባትን ቃላትን ተግባራትን ብጽቡቕ ንምትርጓም ኪጽዕር ይግበኦ፡-

> ነፍስወከፍ ቅኑዕ ክርስትያን ዘበሃል፣ ንናይ ካልእ ሰብ ዘረባ ኣቓዲሙ ካብ ምዃናን፣ ጽቡቕ ትርጓሜ ንምሃብ ስንድው ኪኸውን ኣለዎ። ከም'ዚ ኪገብር እንተዘይከኣለ፣ እቲ ኻልእ ሰብ ብኸመይ ከምዚርደኦ ይሕተት። እዚ ዳሕራይ ብሕማቕ እንተተረድኦ'ውን፣ እቲ ቐዳማይ ብፍቕሪ የኣርሞ። እዚ'ውን እንተዘይከኣሎ፣ ነቲ ካልእ ሰብ ናብ ቅኑዕ ትርጓሜ ንምምላሱ'ሞ ንኪድኅን እቲ ክርስትያን ይጠቅም ንዝተባህለ ኩሉ መንገድታት ይፈትን።[279]

**2479** ንሰባት ምንእኣስን ምቍንጻብን፣ ከምኡ'ውን ናይ ሓሶት ውዲት፣
1753 *ንክብረትን መንነትን ብጻይካ ዚድምስስ* እዩ። ክብረት ኪበሃል ከሎ፣ ንሰብኣዊ ክብረ-ግርማ ዚወሃብ ማኅበራዊ ምስክርነት እዩ። ነፍስወከፍ ሰብ ድማ ስሙ ኪኽበርን ኪኅፈርን ጽቡቕ ስሙ ኪሕለወሉን ባሕርያዊ መሰል ኣለዎ። ምእንት'ዚ ከኣ ንሰባት ምንእኣስን ምቍንጻብን ተጻይ ፍትሕን ፍቕርን፣ ንመንፈሳዊ ኃይላት ዚብድልን እዩ።

**2480** ካልእ ሰብ ኣብ ግብረ-ክፍኣትን ግዕዙይ ጠባያትን ንኪቕጽል ዘተባብዖን ዘጽንዖን፣ ብናይ ጥበራ ኣገባብን፣ *ካብ ልክዕ ብዝሓለፈ ውዳሴን ናእዳን፡ ሓሳዊ ሙገሳን* ዚወሃብ፣ ዝኾነ ይኹን ቃል ወይ ኣተና ክልኩል እዩ። ኣብ ናይ ካልኦት ክፍኣት ወይ ዓቢይ ኃጢኣት ተሓባባሪ ዚገብረካ እንተደኣ ኮይኑ፣ ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ሙገሳ እውን ዓቢይ በደል ይኸውን። ንኻልእ ክትጠቅም ኢልካ ኮነ፣ ዕርክነት ንምጥራይ ኢልካ ዚግበር፣ ናይ ድርብ መልሓስ ኣገባብ ቅቡል ኣይኮነን። ዘይተመጣጠነ ወይ ፍሉይ ሙገሳ ከም ንኡስ ኃጢኣት ኪቝጸር ዚከኣል፣ እዚ ድማ ንምስምማዕ ኢልካ፣ ወይ ሕማቕ ነገር ንምውጋድ፣ ኣድላዪ ነገር ንምርካብ፣ ወይ ከኣ ግቡእን ሕጋውን ዝኾነ ረብሓ ንምጭባጥ ዝዓለመ እንኪኸውን እዩ።

**2481** ብመንፈስ ትዕቢት ተመሊእካ ዚግበር *ጃህራ ወይ ትምክሕቲ፣* ተጻይ ሓቂ ዚፍጸም ኃጢኣት እዩ። ከምኡ'ውን ንሓደ ሰብ ከተቈናጽቦ ኢልካ፣ ንገሊኡ መዳይ ጠባያቱ፣ ብክፉእ ኣገባብ እናላገጽካ ብነገረ-ምጸት irony ምቕራብ ወይ ምሕጫጭ፡ ተጻይ ሓቂ ምብዳል እዩ።

**2482** *"ሓሶት ኪበሃል ከሎ፣ ንኽተጋጊ ደይመደይ ኢልካ ልብኻ ሓቂ*
392 *እናፈለጦ ዘይኮነ ምዝራብ እዩ"*[280]። ጐይታ ድማ ንሓሶት ከም ግብረ-ሰይጣን ይዅንኖ፦ "ንስኻትኩም ካብ'ቲ ኣቦኹም ዲያብሎስ ኢኹም። ...ሓቂ ኣብኡ

---

[279] ቅ.እግናጽዮስ ዘሎዮላ Spiritual Exercises, 22.
[280] ቅ.ኣጕስጢኖስ De mendacio 4, 5፡ PL 40፡ 491

ስለዘየልቦ'ውን ኣብ ሓቂ ኣይጸንዕን እዩ። ሓሳዊ፡ ንሓሶት'ውን ኣቦኣ ስለዝኾነ፣ ሓሶት ኪዛረብ ከሎ፣ ካብ ርእሱ እዩ ዚዛረብ።"[281]

**2483** ሓሶት፡ እቲ ትኽ ብትኽ ተጻይ ሓቂ ዚፍጸም ኃጢኣት እዩ። ምሕሳው ድማ፡ ንሓደ ሰብ፡ ናብ ጌጋ ንምምራሕ ኢልካ ተጻይ ሓቂ ዚፍጸም ተግባር ወይ ዘረባ እዩ። ኣብ መንጎ ሰብን ብጻዩን፣ ሰብን ሓቅን ንዘሎ ርክብ ብምቝሳል፣ እቲ ናይ ሰብን ቃሉን ምስ ጐይታ ዘለዎ መሠረታዊ ርክብ በዚ ሓሶት ኪጕዳእ ይርከብ።

**2484** *ናይ ሓሶት ክብደትን ዕቤትን* ዚምዘን፣ ብመንፅር'ቲ ዘዘናብሎ ዘሎ ናይ ሓቂ ባህሪኡን ኩነታቱን ብናይ'ቲ ዚሕሱ ሰብ ዕላማን፣ በቲ ኣብ ልዕሊ ግዳያቱ ዘውርዶ ጕድኣትን እዩ። ሓደ ሓሶት ብርእሱ እኳ ንኡስ ኃጢኣት እንተኾነ፣ ከም ፍትሕን ፍቕርን ኣብ ልዕሊ ዝበለ መንፈሳዊ ኃይላት ዓቢይ በደል ኪፍጸም ከሎ፡ ዓቢይ ኃጢኣት ይኸውን። 1750

**2485** ሓሶት ብባሕሪኡ ኪዅነን ዘለዎ እዩ። ብመሠረቱ ናይ ንግግር ወይ ዘረባ ዕላማ፣ ንዝፈለጥካዮ ሓቂ ንኻልእ ምስታፍ ምንጋር እንኪኸውን፣ ሓሶት ግና ንዘረባ ወይ ንግግር ምርኻስ እዩ። ንብጻይካ ኮነ ኢልካ ንኽተጋግዮ መዲብካ፣ እናፈለጥካ ተጻይ ሓቂ ምዝራብ፣ ኣብ መደብ ፍትሕን ፍቕርን ምጕዳል እዩ። ነቶም ናብ ጌጋ ዚምርሑ ዘለዉ፣ ውጽኢቱ ሓደጋ-ሞት ዘስዕበሎም ምስዚኸውን፡ እቲ ተሓታትነትን ክስን ኣዝዩ ዝዓበየ ይኸውን። 1756

**2486** ንናይ ሓቅነት መንፈሳዊ ኃይሊ ዚግህስ ስለዝኾነ፣ ሓሶት ኣብ ልዕሊ ካልእ ዚፍጸም ዓመጽ እውን እዩ። ናይ ኩሉ ፍርድን ውሳኔን መሠረት ንዝኾነ ናይ ምፍላጥ ክእለቱን ዓቕሙን ይጸሉ። ዝኾነ ናይ ዘይምስምማዕን ሁከትን፣ ስዒብዎ ናይ ዚመጽእ ክፍኣትን ዘርኢ ዝሓዘ እዩ። ሓሶት ንኅብረተሰብ የዕኑ። ኣብ መንጎ ሰባት ንዚህሉ ምትእምማን የጥፍእ፣ ንሕንጻ ማኅበራዊ ርክብ የፍርስ። 1607

**2487** እቲ ቀንዲ ገባሪኡ እንተተማሕረ'ውን፣ ዝኾነ ይኹን ተጻይ ፍትሕን ሓቅን ዝተፈጸመ በደል ናይ ካሕሣ ግዴታ የስዕብ እዩ። ንዝተገብረ ጌጋ (ስሕተት) ብግልጺ ካሕሣ ምፍጻም ኣብ ዘይከኣለሉ፣ ብስቱር ኪግበር ኣለዎ። ጕድኣትን ማኅሰይትን ዝወረዶ ሰብ፣ ትኽ ብትኽ ኪከሓሥ እንተዘይተኻእለ፣ ብመንፈስ ፍቕሪ፣ ሞራላዊ ካሕሣ ወይ ደበስ (ምድዕዓስ) ኪረክብ ይግባእ። እዚ ናይ ካሕሣ ግቡእነት፣ ነቲ ተጻይ ክብሪ-ካልኦት ዚፍጸም በደል'ውን ዚምልከት እዩ። እዚ ሞራላዊ ዝኾነ፣ ሓድሓደ ግዜ ድማ ግዙፍ (material) ካሕሣ ብመንፅር'ቲ ዝወረደ ጕድኣት ኪግምገም ብኅሊና የገድድ። 1459 2412

[281] ዮሓ 8፡44

# IV. ንሓቂ ዚግባእ ክብሪ

**2488** *ሓቂ ናይ ምፍላጥን፣ ኣብኣ ናይ ምስታፍን መሰል፣ ዘይተደረተን*
1740 *ዘይተገደበን ኣይኮነን። ነፍስወከፍ ሰብ ንሕይወቱ ምስ ናይ ወንጌል ሕጊ-*
*ኅውነታዊ ፍቕሪ ከሰማምዓ ይግበኦ። እዚ ድማ ኣብ ገለ ጭቡጥን ግሁድን*
*ኵነታት ንዝተወከሰና ሰብ፣ ነታ ሓቂ ክንገልጸሉ ዘድሊ ወይ ዘየድሊ ምዃኑ*
*ክንግምግም ዚሓተና እዩ።*

**2489** *ዝኾነ ይኹን፡ ሓበሬታ ወይ ኣስተሳትፎ* (communication) *ንዚሓትት፣*
2284 *ዚወሃብ ምላሽ፣ ብመንፈስ ፍቕርን ብናይ ሓቂ ኽብርን ዝተመርሐ ኪኸውን*
*ይግባእ። ኪፍለጥ ንዘይብሉ ብስቕታ ምሕላፍ፣ ወይ ከኣ ብጥበብ ንምግላጹ*
*ኣብ ዚከኣለሉ ብቑዕ ምኽንያታት፣ ናይ ካልኦት ሰባት ድሕነትን ረብሓን፣*
*ከምኡ'ውን ንናይ ውልቂ ስትረት ንምሕላውን፡ ሓባራዊ ረብሓን ይርከቦ። ግልጺ*
*ዝኾነ ዕንቅፋት ንምውጋድ ጥንቁቕ ሜላ ክትጥቀም ይእዝዝ።። ኪፈልጦ መሰል*
*ንዘይብሉ ሰብ፣ ሓቂ ኪገልጸሉ ዚግደድ ሰብ የልቦን።*[282]

**2490** *ናይ ምሥጢረ ንስሓን ዕርቅን ስትረት፡* *ዘይገሃስን ቅዱስን ስለዝኾነ፣*
1467 *ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ዘይጠሓስ እዩ። "ማኅተመ-ምሥጢረ ንስሓ ዘይገሃስ*
*እዩ፤ ምእንት'ዚ ሓደ ኣበነፍስ ናይ ውሉደ-ንስሓኡ (ተነሳሒ) ምሥጢር ብዝኾነ*
*ይኹን መንገዲ፡ ብቓል ኮነ፡ ብኻልእ ኣገባብ፡ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ኪገልጸሉ*
*(ንኻልእ) ምስዚርከብ ገበን ይፍጽም"*[283]*።*

**2491** *ናይ ስራሕን ሞያን ስትረት፡ ንኣብነት፡ ፖለቲካዊ ሥልጣን ዝሓዙ፣*
*ወተሃደራት፣ ሓካይም፣ ጠበቓታት፣ ወይ ከኣ ብናይ ስትረት ማኅተም ዝተዋህበ*
*ምሥጢራዊ ስቱር ሓበሬታ ብዚግባእ ኪዕቀብ ኣለዎ። ኣብ ገሊኡ ፍሉይ*
*ኵነታት ግን፡ ነቲ ምሥጢር'ቲ ምሕላው፣ ንሓላዊኡ ኮነ፣ ንተቐባሊኡ ወይ ነቲ*
*ሣልሳይ ኣካል ዓቢ ድንገት ዘምጽእ ኣብ ዝኾነሉ፣ እዚ ዓቢ ጒድኣትው'ን ነቲ*
*ሓቂ ብምዝርጋሕ ከተወግዶ ዚከኣል እንኪኸውን፣ እቲ ስቱር ምሥጢር ኪግለጽ*
*ይከኣል። ብናይ ስትረት ማኅተም ዝተዋህበ ምሥጢር'ኳ እንተዘይኮነ፣ እቲ*
*ንኻልኦት ኪጒድእ ዚኽእል ግላዊ ሓበሬታ፣ ብዘይካ ብኸቢድን ተመጣጣንን*
*ምኽንያት ኪግለጽን ኪዝርጋሕን ኣይከኣልን።*

**2492** *ብመንፅር ግላዊ ሕይወት ውልቀሰባት፡ ነፍስወከፍ ሰብ ግቡእን ብቑዕን*
2522 *ዝኾነ ዕቃበን ጥንቃቐን ኪኽተል ይግበኦ። እቶም ኣብ ወገን መራኸቢ ብዙኃን*
*ዚርከቡ ሰባት ድማ፣ ኣብ መንጎ'ቲ ሓባራዊ ረብሓን፣ ምኽባር ውልቃዊ መሰላትን*
*ንዘሎ ርትዓዊ ሚዛን ኪሕልዉ ግቡኦም እዩ። ኣብ ፖለቲካውን መንግሥታውን*
*ምንቅስቓስ ናይ ዝተዋፈሩ ሰባት፡ ኣብ ግላዊ ሕይወቶም ዚግበር ናይ መራኸቢ*

---

[282] *ሢራ* 27:16፣ *ምሳ* 25:9-10 *ረኣ*
[283] *ሕገቀኖና፣ ቀ.* 983 § 1.

*ብዙኃን (ሚድያ) ምትእትታው፣ ብመጠን'ቲ ንውልቃዊ ስትረቶምን ናጽነቶምን ዘውርዶ ጉድኣት ኪዅነን (ኪውገዝ) ኣለዎ።*

## V. *ኣጠቓቕማ ማኅበረሰባዊ መራኸቢ ብዙኃን*

**2493** *ኣብ'ዚ ሓዲሽ ኅብረተሰብ፣ ኣብ ወገን ሓበሬታን ሕንጸተሰባዊ ምዕባሌን፡ ኵሰኰሳን መዕበያን፣ እዚ ናይ መራኸብ-ብዙኃን መጋበሪ ዓቢይ እጃም ዘበርከተ እዩ። ከም መጠን ውጽኢት ምዕባሌ ስነኪነት (ቴክኖሎጂ)፡ ስፍሓትን ዓይነትን ናይ'ቲ ዚዝርጋሕ ዜና፡ ኣብ ሕዝባዊ ርእይቶ ዘለዎ ጽልዋን እናወሰኸ ዚኸይድ ኮይኑ ኣሎ።*

**2494** *ብመራኸብ ብዙኃን ዚመሓላለፍ ዜናን ሓበሬታን ንሓባራዊ ረብሓ ምእንቲ ከገልግል እዩ።*[284] *ኅብረተሰብ ድማ ኣብ ሓቅነትን ናጽነትን፡ ፍትሕን ኅብረትን ዝተመርኰሰ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ፡-* 1906

> *ነዚ መሰል'ዚ ብዚግባእ ምጥቃም ማለት፡ ናይ'ቲ ዜናን ሓበሬታን ትሕዝቶ ሓቀይናን ምሉእን ምኳኑ ዚሓትት እዩ። ወትሩ ኸኣ መደብ ፍትሕን ፍቕርን እናሓሎኻ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ብቕንዕናን ብኅሊናን ኪግበር ኣለዎ። እዚ ማለት ከኣ ዜና ኣብ ምእካብን ምዝርጋሕን፣ ሞራላዊ ሕግን፡ ናይ ሰብ ሕጋዊ ግቡኣትን መሰላትን፡ ክብረትን ኪሕሎ ይግባእ።*[285]

**2495** *"ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ኵሎም ወገናት ኅብረተሰብ መደባት ፍትሕን ፍቕርን ኪሕልዉ ኣድላዪ እዩ። ብናይ ማኅበራዊ መራኸብ-ብዙኃን መጋበሪ ቅኑዕን ጥዑይን ዝዀነ ሕዝባዊ ኣረኣእያን ግምትን ንኺህሉን ንኪሰፍሕን ምሕጋዝ የድሊ።"*[286] *ኅብረትን ምትሕግጋዝን ድማ፣ ናይ ሓደ ቅኑዕን ጽሩይን ምዝርጋሕ-ዜናን፣ ናይ ሓሳባት ናጻ ምንቅስቓስን ውጽኢት እንኪኸውን፣ ናይ ካልኦት ፍልጠትን ክብረትን ንኪህልወካ ዚሕግዝ እዩ።* 906

**2496** *ናይ ማኅበራዊ መራኸቢታት መጋበሪ (ብፍላይ ድማ መራኸቢ-ብዙኃን)* 2525
*ተጠቀምቲ፣ ነቲ ዚበሃልን ዚርእይዎን ከይመመዩ ምስዚጥቀሙ፡ ልሙስ መንፈስ ተቐባልነት ጥራሕ ከሕድረሎምን ዚኽእል እዩ። ንመራኸብ-ብዙኃን ዚጥቀሙሉ ሰባት ኣብ ኣቀራርባኦምን ኣተሓሕዛኦምን ሥሩዕን ምጡንን ኣገባብ ኪኽተሉ ይግበኦም። ሓፈሻዊ ንዝዀነ ጽልዋታት ብቐሊሉ ንምቅዋም፣ ንቑሕን ቅኑዕን ዝዀነ ኅሊናን ኣተናን ምሓዝ ከድልዮም እዩ።*

**2497** *ባሕርይ-ሞያኦም ዚሓቶ ስለዝዀነ፣ ጋዜጠይናታት ዜና እንኪዝርግሑ፡ ንሓቅን ከገልግሉ፡ ተጻይ ፍቕርን ከይብድሉ ግዴታ ኣለዎም። ብዛዕባ ውልቀሰባት ዚበሃልን ዚንገርን ዘበለ፡ ነቲ ክዉን ነገራትን፣ ናይ ልቦናዊ ፍርዲ*

---

[284] *ዘደንቕ ምህዞታት* IM 11 *ረኣ*
[285] *ዘደንቕ ምህዞታት* IM 5 § 2
[286] *ዘደንቕ ምህዞታት* IM 8

(ግምት) ደረታትን ብምሕላው፣ ብምዕሩይ ጥንቃቐ ኪግበር ኣለዎ። ስም-ሰባት ኣብ ምንዋር ኪወድቁ የብሎምን።

**2498** "ምእንቲ ሓባራዊ ረብሓ ኪብሉ፣ሲቪል ሰበሥልጣን ኣብ'ዚ መዳያት'ዚ
2237 ፍሉይ ዝኾነ ኃላፍነት ኣለዎም፡.... ሓቀይናን ፍትሓውን ናጽነት-ሓበሬታን ዜናን
2286 ምውሓስ (ምርግጋጽ)...ናይ ሲቪል ሰበሥልጣን እጃም እዩ"[287]። መንግሥታዊ
ሰበሥልጣን፡ ብዘውጽእዎ ሕግታትን፡ ንግብራውነቱ ብዘለዎም ኃልዮትን "ናይ
ሕዝቢ ሞራልን (ሥነ ምግባርን) ማኅበራዊ ምዕባሌን፣ ብናይ መራኽብ-ብዙኃን
ግጉይ ኣጠቓቕማ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ንኸይወድቕ"[288] ንምርግጋጽ ዘድሊ
ይግበሩ። ውልቀሰባት ናይ ክብረቶምን ስትረቶምን መሰል (ብመራኽብ ብዙኃን)
እንኪገሃስ ሲቪል ሰበሥልጣን ኪቐጽዑ ይግባእ። መራኽብ-ብዙኃን እምበኣር፣
ነቲ ሓፈሻዊ ረብሓ ዚርኢ፣ እዋናውን መሠረት ዘለዎን ዜና ከቕርቡ፣ ወይ ከኣ
ነቲ ርቱዕ ዝኾነ ሻቕሎት-ሕዝቢ ኪምልሹ ይግባእ። ብመራኽብ ብዙኃን ገቢርካ
ንርእይቶ-ሕዝቢ ንምዝንባል፣ ግጉይ ሓበሬታ ምሃብ ፈጺሙ ዘይቅቡል እዩ።
መንግሥታዊ ሰበሥልጣን ኣብ ዚገብርዎ ውሳኔታት፡ ንናይ ውልቀሰባት ኮነ
ጕጅለታት ናጽነት ከይሃስዩ ኪጥንቀቑ ይግባእ።

**2499** ኣብ'ቲ ውልቀመላኺ ሥርዓታትን ሃገራትን፡ ብመደብ ዚግበር ናይ
1903 ሓቂ ምዝንባል፣ ብመራኽብ-ብዙኃን ገቢርካ ኣብ ርእይቶ ሕዝቢ ፖለቲካዊ
ሥልጣንካ ምጽናዕ፣ ኣብ መንግሥታዊ ኣብያተ ፍርዲ ንኸሰስትን መስከርትን
ኮነ ኢልካ ምጥዋይ፣ ብሞራላዊ ፍርዲ ኪዅነን ዘለዎ እዩ። ከምዚ ዝበሉ ወገናት
ጨካን ሥልጣኖም ንምርግጋጽ "ናይ ሓሳብ ገበን" ንዝበልዎ ብዘይንሕስያ
ይደቝስዎን ይዕፍንዎን።

## VI. ሓቅነት፣ ሥን (ጽባቔ)፣ መንፈሳዊ ሥነጥበብ

**2500** ሕያውነትን ግብረ-ሠናይን ምፍጻም፡ ማዕረማዕረኡ፡ ጐሳጐሱ ብዚወጽእ
1804 መንፈሳዊ ባህታ ኮነ ሞራላዊ ሥን (ጽባቐ) ዝተሰነየ እዩ። ብተመሳሳሊ ድማ
341 ሓቅነት፡ ናይ መንፈሳዊ ሥን (መልክዕ/ጽባቐ) ባህታን፡ ነጸብራቕን ተምጽእ።
2129 ሓቂ ብርእሳ ሠናይት (ጽብቕቲ) እያ። ብኣእምሮ ንዝተሸለመ ወድሰብ ብቓላት
ዚግለጽ ሓቂ፡ ማለት ናይ'ቲ ፍጡርን ዘይተፈጥረን ህልው ኣእምሮኣዊ ፍልጠት
የድልዮ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ነቲ ክንየው ቃላት ዝኾነ ነገራት ኣብ ምንቅስቓስ፣
ሓቅነት ካልእ ተደራቢ ኣገባብ ሰብኣዊ መግለጺ'ውን ኪህልዎ ይኽእል። እዚ
ከኣ፣ከም ዕምቈት ልቢ-ሰብ፣ ናይ ነፍሲ ጸብለልትነት፣ ምሥጢር-ኣምላኽ ዝበለ
እዩ። ኣምላኽ ብቓላት-ሓቂ ርእሱ ንሰብ ቅድሚ ምግላጹ፣ በቲ ናይ ቃሉን
ጥበቡን ተግባር ዝኾነ ሓፈሻዊ ቋንቋ-ተፈጥሮ፡ ሕፃን ኮነ ምሁር ተመራማሪ

---

[287] ዘደንቕ ምህዞታት IM 12
[288] ዘደንቕ ምህዞታት IM 12 § 2

ዚግንዘቦ ናይ ምድረ-ዓለም ሥርዓትን ስኒትን ገቢሩ ርእሱ ይገልጽ። "እቲ ናይ ጽባቐ ዋና ስለዝፈጠሮም" ካብ ናይ ፍጡር ነገራት ዓይነትን ጽባቐን፣ ናይ ፈጣሪኡ ተነጻጻሪ ርድኢት ኪመጽእ ይኽእል"፣[289]

> ንሳ (ጥበብ) ትንፋስ ኃይሊ-ኣምላኽን፣ ካብ ግርማ ከሃሌኵሉ ዝሰረጸት ንጽሕቲ ብርሃንን እያ። ስለዚ ርኹስ ዘበለ ኹቶ ናብኣ ኪቐርብ ኣይክእልን እዩ። ጥበብ ናይ'ታ ዘለዓለማዊት ብርሃን ጨሪራ እያ። እወ ተግባራት ኣምላኽ እተርኢ ጽርይቲ መስትያትን፣ ኣርኣያ ሕያውነት-ኣምላኽን እያ።[290] ጥበብ ካብ ፀሓይን ካብ ኵሎም እኩባት ከዋኽብትን ኣዝያ ትጽብቕ፡ ምኽንያቱ ንብርሃን-ቀትሪ ጸልማት-ለይቲ ይስዕቦ። ንጥበብ ግና ክፍኣት ከቶ ኣይስዕባን እዩ።[291] ኣነ ንጥበብ ኣፍቀርክዋ"።[292]

**2501** ወድሰብ "ብኣምሳል ኣምላኽ ዝተፈጥረ"[293] ስለዝኾነ፣ ምስ ኣምላኽ 339
ፈጣሪ ናይ ዘለዎ ርክብ ሓቅነት ይገልጽ። ብርግጽ'ውን ሥነጥበብ፡ ፍሉይ ሰብኣዊ መግለጺ እዩ። ናይ ኵሎም ሕያዋን ፍጡራን ናይ ሓባር ዝንባሌ ዝኾነ ንሕይወት ኣድላዪ ነገራት ንምርካብ ዚግበር ጻዕሪ ክንየዉ ዘሎ ሥነጥበብ፡ ንናይ ሰብኣዊ ፍጡር ውሽጣዊ ሃብቲ ብናጻ ዝተለገሠ ልዑልን ምዕቡልን ህያብ እዩ። ንናይ ህላዌ ሓቅነት ብዚረአን ዚስማዕን ቋንቋ መልክዕን መሥርዕን ንምሃቡ፡ ብኣምላኽ ካብ ዝተለገሠ ህያብን፣ ካብ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጻዕርን ዝተረኽበ ሥነጥበብ ናይ ግብራዊ ጥበብ መልክዕ ለቢሱ፣ ፍልጠትን ብልኃትን ዘወሃህድ[294] እዩ። ብሓቅነትን፡ ናይ ነገራት ፍቕርን ከምዝተመርሐ መጠን፡ ሥነጥበብ ኣብቲ ዝፈጠሮ ኩሉ ምስ'ቲ ስራሓት-ኣምላኽ ዝኾነ ዓይነት ምስስል የርኢ። ከም ኩሉ ካልእ ሰብኣዊ ተግባራት፡ ሥነጥበብ ንርእሱ ከም መወዳእታ ዕላማ ዚረአ ዘይኮነስ፣ ኣብ ናይ ሰብ መወዳእታኡ ዕላማ ዘተኰረን ናብኡ ዘብጽሕን እዩ።[295]

**2502** ኣገባቡን መልክዑን ምስቲ ፍሉይ ጸዋዕታኡ ዚሰማማዕ እንኪኸውን 1156-1162
መንፈሳዊ ሥነጥበብ ሓቀይናን ጽባቐ ዝዓሰሎን እዩ፤ ስለዚ ኸኣ ኣብ እምነትን ስግደትን፡ ነቲ ልዑል ምሥጢር-ኣምላኽ ዘለዓዕለልካን ከተኽብሮ ዚድርኸካን፣ እቲ ልዑል ዝኾነ ጽባቐ-ሓቂ ኮነ፣ እቲ "ክብሪ-ኣምላኽ ዘንጸባርቕን ማኅተም ባሕሪኡ ዜርእን" ኣብኡ "ምልኣት-መለኮት ብሥጋ ዝፈሰሰሉ"[296] ልዑል ጽባቐ-ሓቅን፡ ኣብ ክርስቶስ ግሁድ ዝኾነ ፍቕርን ዜርኢ እዩ። እዚ ናይ ኣምላኽ መንፈሳዊ ጽባቐ፡ ኣብ ድንግል ወላዲተ-ኣምላኽን ኣብ መላእኽትን ቅዱሳንን ይንጸባረቕ። ውጹእን ጽሩይን ዝኾነ መንፈሳዊ ሥነጥበብ፡ ንሰብ ናብ ስግደትን

---

[289] ጥበ 13:3፣ 5
[290] ጥበ 7:25-26
[291] ጥበ 7:29-30
[292] ጥበ 8:2
[293] ዘፍ 1:26
[294] ጥበ 7:16-17 ረአ
[295] ፕዮስ መበል 12 Musicae sacrae disciplina; Discourses of September 3 and December 25, 1950 ረአ
[296] ዕብ 1:3፣ቆላ 2:9

ጸሎትን ዚመርሕ፣ ፈጣርን መድኃንን፡ ቅዱስን ቀዳስን ንዝኾነ ኣምላኽ ናብ ምፍቃር ዜብጽሕ እዩ።

2503 በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ፣ ኣቡናት (ጳጳሳት) ባዕላቶም ብኣካል ኮነ ብወከልቶም ገቢሮም ንምዕባሌ መንፈሳዊ ሥነጥበብ፣ ነቲ ጥንታዊ ኮነ ሓዲሽ በቲ ኩሉ መልክዓቱ ኪግደሱ ይግባእ። ምስ ሓቅነት-እምነትን፡ ምስ'ቲ ናይ መንፈሳዊ ሥነጥበብ ሓቀይና ጽባቐን ዘየሳኒ ዘበለ ኵሉ ብመንፈስ-ሃይማኖት ተመሪሖም ካብ'ቲ ግብሪ-ኣምልኾትን ቦታ-ስግደትን ከልግስዎ የድሊ።[297]

## ብሓጺር

2504 "ኣብ ልዕሊ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር" (ዘፀ.20፡16)። ተኸተልቲ ክርስቶስ "ነቲ ብኣርኣያ እግዚኣብሔር ብጽድቅን ብቕድስናን ዝተፈጥረ ሓዲሽ ሰብ" ዝለበሱ እዮም።(ኤፌ.4፡24)

2505 ሓቂ ወይ ሓቀይና ምኳን ኪበሃል ከሎ፣ ብቓላትን ተግባራትን ሓቀይና ምኳን፣ ድርብ መልሓስን ምምስሳልን፡ ግብዝነትን ምውጋድ ዘጠቓልል መንፈሳዊ ኃይሊ እዩ።

2506 ክርስትያን ብተግባር ኮነ ብቓል "ንጐይታና ኣብ ምምስካር ኪሓፍር" የብሉን።(2ጢሞ.1፡8)። ሰማዕትነት ድማ ንሓቅነት እምነት ዚወሃብ ዝለዓለ ምስክርነት እዩ።

2507 ንሰባት ኪወሃብ ዚግበኦ ኣኽብሮትን ግምትን፡ ንዝኾነ ይኹን፡ ብቓል ኮነ ብኣተና ዚፍጸም፡ ናይ ምቍንጻብን፣ ናይ ሓሶት ውዲትን ዚኽልክል እዩ።

2508 ሓሶት ማለት፡ ንብጻይካ ንምግጋይ ነቲ ዘይኮነ ወይ ግጉይ ነገር ምዝራብ እዩ።

2509 ተጻይ ሓቂ ዝተፈጸመ በደል፡ ካሕሣ የሓትት።

2510 ኣብ ገለ ጭቡጥን ክዉንን ሃለዋት፣ ነቲ ዚሓተሉ ዘሎ ሰብ፡ ሓቂ ምግላጽ ዘድሊ ወይ ዘየድሊ እንተኾይኑ ንምውሳን፣ እቲ ወርቃዊ ሕጊ ሓጋዚ እዩ።

2511 "ማኅተመ ምሥጢረ-ንስሓ ዘይገሃስ እዩ"(ሕገቀኖና.983 §1)። ናይ ስራሕን ሞያን ምሥጢር ኪስተር ኣለዎ። ንኻልእ ሰብ ኣብ ድን ገት፣ ዘውድቕ ምሥጢርን ስቱር ነገራትን ኪዝርጋሕ ኣይግባእን።

---

[297] ቅዱስ ጉባኤ SC 122-127 ረአ

2512 ኣብ ሓቅን ናጽነትን ፍትሕን ዝተመሥረተ ዜናን ሓበሬታን ኪረክብ ኅብረተሰብ መሰሉ እዩ። ኣብ ኣጠቓቕማ ማኅበረሰባዊ መራኸብ-ብዙኃን ድማ፡ ሓደ ሰብ ሥሩዕን ምጡንን መደብ ኪኽተል ይግበኦ።

2513 ሥነጥበብ፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ መንፈሳዊ ሥነጥበብ፣ "ብባሕሪኡ በቲ ብኢድሰብ ዝተገብረ ስራሕ፣ ነቲ ዘይብጻሕ ጽባቐ-ኣምላኽ ንምግላጽ ዝዓለመ እዩ። ንኣእምሮ-ሰባት ብዝበለጸ ኣገባብ፣ እሞ ብፍቕሪ ናብ እግዚኣብሔር ንኺመልስ ብዝተሓስቦ መጠን፣ ክብርን ውዳሴን-ኣምላኽ ናይ ምስፋሕ ዕላማኡ ኣጸቢቑ ይደምቕ። (ቅዱስ ጉባኤ SC 122)

---

## ኣንቀጽ 9
# ታሽዓይ ትእዛዝ

"ቤት ብጻይካ ኣይትተምነ፤ ሰበይቲ ብጻይካ፣ ግዙኡ፣ ግዝእቱ፣ ብዕራዩ ኣድጉ፣ ገንዘብ ብጻይካ ዘበለ ኹሉ ኣይትተምነ።"[298]

"ንጓለንስተይቲ ርእዩ ዚትምነያ ኹሉ፡ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ እብለኩም ኣሎኹ።"[299]

2514 ቅዱስ ዮሓንስ ሠለስተ ዓይነት ትምኒት ወይ ፍትወት-ሥጋ ይዝርዝረልና፡- 377
ናይ ሥጋ ፍትወት፣ ናይ ዓይኒ ትምኒት፣ ናይ ሕይወት ትዕቢት።[300] ብካቶሊካዊ 400
ትውፊት ትምህርተ-ክርስትና፣ ታሽዓይ ትእዛዝ ሥጋዊ ፍትወት፣ ዓሥራይ ትእዛዝ ድማ ናይ ንብረት (ፍትወት) ትምኒት ይኽልክል።

2515 ብናይ ቃሉ ትርጉም ክንከዶ ከሎና "ፍትወት (ምፍታው)" ንዝኾነ 405
ህንጡይ መልክዕ ዘለዎ ባህጊ-ሰብ ዘመልክት እዩ። ክርስትያናዊ ትምህርተ-መለኮት ግን ፍሉይ ዝኾነ ትርጓሜ ይህቦ፡- "ፍትወት" ኪበሃል ከሎ፡ ነቲ ናይ ሕዋሳትና ድሌት (ሸውሃት) ተጻይ ሰብኣዊ ኣእምሮን ስራሕን ምንቅስቓሱ ማለት እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ሓዋርያ ድማ፡ "ሥጋ" ኣብ ልዕሊ "መንፈስ"[301] ምስ ዚገብሮ ተቓውሞ የመሳስሎ። ፍትወት-ሥጋ ካብ'ቲ ናይ ፈለማ ኃጢኣት ዕልወት (ዘይምትእዛዝ) ዝፈልፈለ እዩ። ንናይ ሰብ ሞራላዊ ክእለትን ብቕዓትን ኣዘናቢሉ፡

---

[298] ዘፀ 20፡17
[299] ማቴ 5፡28
[300] 1ዮሓ 2፡16 ረኣ
[301] ገላ 5፡16፣ 17፣ 24፣ኤፌ 2፡3 ረኣ

ንርእሱ ብቐንዱ ኃጢኣት ዘይኮነ ከሎ፣ ንሰብ ኃጢኣት ናብ ምፍጻም የብሎ፡ ወይ የዘንብሎ።[302]

**2516** ሰብ፡ ብናይ መንፈስን ሥጋን ጽምዲ ዝቖመ ስለዝኾነ፣ ኣብ ውሽጡ
362 ዝኾነ ዓይነት ውጥረት ወይ ምስሕሓብ፣ ኣብ መንጎ "መንፈስን" "ሥጋን"
407 ዚምዕብል ዝኾነ ዓይነት ናይ ዝንባሌ ቃልሲ ኣሎ። እዚ ቃልሲ'ዚ ግን ከም
ሓቁ፣ ናይ'ቲ ውርሻ-ኃጢኣት ኣካል እዩ። ውጽኢት (ፍረ) ኃጢኣት እዩ፣ ምስኡ
ድማ ናቱ ናይ'ቲ ኃጢኣት መረጋገጺ'ውን እዩ። ናይ'ቲ መንፈሳዊ ፀብእ (ውግእ)
ዕለታዊ ተመክሮ ክፍሊ እዩ።

> ሓዋርያ ጳውሎስ፣ ምስ መንፈሳዊት (ነባቢት) ነፍሲ ኮይኑ ባሕርይ-ሰብን ውልቃዊ መንነቱን ንዘቕውም ኣካል-ሥጋ ዚኹንን ወይ ከኣ ዘስተናዕቕ ኣይኮነን። የግዳ ንናይ መንፈስ ቅዱስ መድኃኒ ተግባሩ ካብ ዚወሃብ ተገዛእነት (ብቐዳምነት) ወይ ከኣ ተቓውሞ (ብኻልኣይ ደረጃ) ዝተረኽበ ፍረ፣ በቲ ሞራላዊ ጽቡቕ ወይ ክፉእ ተግባር፣ ወይ ከኣ ከም መንፈሳዊ ኃይሊ ወይ ልማደ-ኃጢኣት ብዝበለ ነባር ኣገባባት ኪግደስ ይርከብ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ፣ እቲ ሓዋርያ "ብመንፈስ ንንበር"[303] ኪብል ይጽሕፍ።

## I. ምንጻሕ ልቢ

**2517** ናይ'ቲ ሞራላዊ ሰብ ቀንዲ መንበሩ ልቢ እዩ። "ካብ ልቢ ክፉእ ሓሳብ፣
368 ቅትለት፣ ዝሙት፡ ምንዝርና...ይወፅእ"[304]። ተጻይ ሥጋዊ-ፍትወት ዚግበር ቃልሲ
1809 ወይ ገድሊ፡ ናይ ልቢ ምንጻሕን፣ መንፈስ ምጥንና ምኽታልን የሓትት፡

> ትሑታትን ንጹሓትን ኮይንኩም ንበሩ፤ ከምቶም ንሕይወት-ሰብ ንዚድምስስ ክፍኣት ዘይፈልጡ (ዘይፍጽሙ) ሕፃናት ክትኮኑ ኢኹም።[305]

**2518** ሻድሻይ ኣንቀጸ-ብፅዓን- "ንጹሓት ልቢ ንኣምላኽ ኪርእይዎ እዮም'ሞ፣
94 ብፁዓን እዮም" ይብል።[306] "ንጹሓት ልቢ" ኪብል ከሎ፣ ንኣእምሮኦምን ድልየቶምን፣
ምስ'ቲ ናይ ቅድስና-ኣምላኽ ግዴታ ዝኾነ ቀንዲ ሠለስተ መዳያት ኪቓንዩ
ዝኸኣሉ እዮም። እዚ ድማ ፍቕሪ[307]-ንጽሕና (ተዓቅቦ) ወይ ወሲባዊ ቅንዕና[308]
ፍቕሪ-ሓቅን፡ ርትዕቲ እምነትን፡ እዩ።[309] ኣብ መንጎ ንጽሕና-ልብን ሥጋን
ንጽሕና-እምነትን ርክብ ኣሎ፡-

---

[302] ዘፍ 3፡11፣ጉባኤ ትረንቶስ፡ ደንዚንገር DS 1515 ረአ
[303] ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ DeV 55፣ገላ 5፡25 ረአ
[304] ማቴ 15፡19
[305] ሄርማስ Mandate 2, 1፡ PG 2, 916.
[306] ማቴ 5፡8
[307] 1ጢሞ 4፡3-9፣2 ጢሞ 2፡22 ረአ
[308] 1ተሰ4፡7፣ቆላ 3፡5፣ኤፌ 4፡19 ረአ
[309] ቲቶ 1፡15፣1 ጢሞ 1፡3-4፣2 ጢሞ 2፡23-26 ረአ

> ብምእማን፣ ንእግዚኣብሔር ምእንቲ ኪእዘዙ፣ ብምትእዛዝ ጽቡቕ ምእንቲ ኪነብሩ፣ ጽቡቕ ብምንባር ልባቶም ምእንቲ ከንጽሑ፣ ብንጹሕ ልቢ ድማ ነቲ ዚኣምንዎ ኩሉ ምእንቲ ኪርድኡ፣ ምእመናን ኣብ ጸሎተ-ሃይማኖት ንዘሎ ኣናቕጽ እምነት ኪቕበሉ ኣለዎም"[310]። 158

**2519** እቶም "ንጹሓት ልቢ"፣ ንእግዚኣብሔር ገጽንገጽ ንኪርእይዎን ኪመስልዎን ቃል ተኣቲዩሎም ኣሎ።[311] ምእንትʼዚ ንጽሕና-ልቢ ናይ ራእይ- 2548 2819
ኣምላኽ ቅድመ'ኹነት እዩ።ሕጂ'ውን እንተኾነ፣ ብዓይኒ-እግዚኣብሔር ንምጥማት፣ 2501
ካልኦት ከም "ብጾትና" ንምቕባል የኽእለና። ንናትና ኮነ ናይ ብጻይና ሰብኣዊ ግዙፍ ኣካል፣ ከም ማኅደር መንፈስ ቅዱስን፣ ናይ'ቲ መለኮታዊ ጽባቑ መግለጽን ገቢርና ክንርእዮ ይሕግዘና።

## II. ንንጽሕና ዚግበር ገድሊ (ቃልሲ)

**2520** ጥምቀት ንተቐባሊኡ፡ ካብ ኩሉ ኃጢኣቱ ዚነጽሓሉ ጸጋ ይዕድሎ። 1264
እንተኾነ እቲ ዝተጠምቀ ሰብ ተጻይ ፍትወት-ሥጋን ዘይሥሩዕ ሃረርታን ዚገብሮ (ቃልሱ) ገድሉ ኪቕጽሎ ይግባእ። ብጸጋ-እግዚኣብሔር ድማ፡

- ብናይ ንጽሕና ህያብን መንፈሳዊ ኃይልን ኪዕወት እዩ፣ ከመይሲ ንጽሕና ብቅኑዕን ብዘይተኸፋፈለን ልቢ ከምነፍቅር ትገብረና። 2337
- ቅኑዕን ሓቀይናን ዕላማ-ሰብ ብዚደሊ ንጽሕና፣ ኅሊና ኪዕወት እዩ፤ እቲ ዝተጠምቀ ሰብ በቲ ትሑትን ገርህይናን ራእዩ፡ ኣብ ኩሉ ነገር ድላይ-ኣምላኽ ኪረክብን ኪፍጽምን ይጽዕር።[312] 1752
- ብናይ ግዳማውን ውሽጣውን ኣረኣእያ ንጽሕና፣ ብናይ ስምዒታትን ሓሳባትን ሥርዓትን ቍጽጽርን፡ ካብ መንገዲ ትእዛዛት-እግዚኣብሔር ከዘናብል ንዚኽእል ዘይንጹሕ ሓሳባት ብምንጻግ፡ ኪዕወት እዩ። "ግዳማዊ ትርኢት ናይ'ቶም ዓያሹ ኣሕዛብ ስምዒት የለዓዕል"[313]። 1762
- ብጸሎት ኪዕወት እዩ። 2846

> ተዓቅቦ፣ ርእስኻ ብምቍጽጻር፣ ካብ ኃይልኻን ክእለትካን ጥራሕ ዚመጽእ ይመስለኒ ነይሩ፣ ኣነ ግና ኣይፈለጥክዎን ነይረ፣ ንስኻ ክትህብ እንተዘይ ተረኺብካ ንጹሕ ከም ዘይክወን..... ንምፍላጥ በሓቂ ዓሻ ነበርኩ። ውሽጣዊ እህህታይ ኣብ እዝንኻ እንተዚበጽሕ ነይሩ ብርግጽ ምሃብካኒ፣ ኣነ'ውን ብጽኑዕ እምነት ኃልዮተይ ኣባኻ መውደቕኩ ነይረ።[314]

[310] ቅ.ኣጉስጢኖስ Defide et symbolo 10, 25፡ PL 40, 196.
[311] 1ቆሮ 13፡12፣1 ዮሓ 3፡2 ረኣ
[312] ሮሜ 12፡2፣ቆላ 1፡10 ረኣ
[313] ጥበ 15፡5
[314] ቅ.ኣጉስጢኖስ Conf. 6, 11, 20፡ PL 32, 729-730.

**2521** *ንጽሕና ንምሕላው ናይ ምጥንና ቀንዲ ክፋል ዝኾነ፡ ትሑት ኣተና የድሊ። ትሑት ወይ ምጡን ምኳን ነቲ ውሽጣዊ-መንፈስ ሰብ ይሕልዎ። እዚ ማለት ከኣ፡ ነቲ ኪስተር ዚግበኦ ክትቀልዖ ዘይምድላይ እዩ። እዚ ኸኣ ናብ'ቲ ዚምስክረሉ ንጽሕና (ተዓቅቦ) ገጹ ዝዓለመ እዩ። ሓደ ሰብ ብኸመይ ንኻልኦት ከምዚጥምትን ብመንፅሮም ብኸመይ ከምዚካየድን፣ ንክብሪ-ሰባትን ኅብረቶምን ብዚርኢ ንዘለዎ ኣተሓሕዛ ዚመርሕ እዩ።*

**2522** *እዚ ትሑትን ሓፋርን ኣተና፡ ንናይ ሰባት ኵነትን ኣብ መንጎኦም ናይ*
2492 *ዘሎ ፍቕሪ ምሥጢርን ዚሕሉ እዩ። ፍቕሪ ኣብ ዝዓዘዞ ርክብ፣ ትዕግሥቲ ዝመልኦ ስክፍታን ምጥንናን የተባብዕ። ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ኪህሉ ንዘለዎ ሓድሕዳውን ወሳንን ምውህሃብን ተወፋይነትን ዘሰናዱ ኵነታት ኪፍጸም የሓትት። ስኩፍ ምጥንና ወይ ትሕትና ጽፈት'ውን እዩ። ነመራርጻ ክዳውንቲ እውን ከይተረፈ ይጸሉ። ጠንቃም ኣብ ዝኾነ ናይ ውጥምና ኵነታት፣ ግሉጽ ሓደጋ ዘምጽእ እንኪኸውን፣ ስቕታ፡ ወይ ምዕቃብ የሓትት። ልቦናዊ ምስትውዓል እዩ።*

**2523** *ንግዙፍ ኣካል (ሥጋ) ብዚርኢ'ውን ምዕሩግን ምጡንን ዝኾነ ኣተናን*
2354 *ስምዒትን ኣሎ። ፍትወት-ሥጋ ዘለዓዕል ሥእሊ-ኣካላት-ወድሰብ፡ ኣብ ገሊኡ ናይ ንግዲ ሓበሬታ ምውጻእ ወይ ከኣ ስቱር ኣካላትን፣ ናይ ኀፍረተ-ሥጋ ወገናትን ኣብ ገሊኡ መራኸብ ብዙኃን፡ ቀሊዕካ ክሳብ ምውጻእ (ብሥእሊ) ንዚበጽሑ፣ ነዚ እቲ ምዕሩግን ምጡንን ኣተና ፈጺሙ ዚቃወሞ እዩ። እዚ ኸኣ ንሓዲስ ዓይነት ቅዲ-ክዳንን፣ ደፊኡ ንዚስጕም ዘመን-ኣምጽኦ ኣተሓሳስባን ንምቅዋም ዚሕግዝ እዩ።*

**2524** *እዚ ናይ ምጥንናን ትሕትናን ኣተና፡ መልክዑ ካብ ሓደ ባህልን ሕንጸተሰብን ናብ'ቲ ካልእ ዝተፈላለየ እዩ። እንተኾነ እዚ ናይ ምጥንናን ትሑት ኣተናን መንፈስ፡ ናይ ወድሰብ መንፈሳዊ ክብረ-ግርማ ዜነጽር ስለዝኾነ፣ ኣብ ኩሉ ዘሎ ምኳኑ ይፍለጥ፤ ምስ ንቕሓተ-ኅሊናን፡ ርእሰኻ ምስ ምፍላጥን ዚውለድ እዩ። ንሕፃናትን ኣብ ምጕባዝ ንዚርከቡን ትሕትናን ምጥንናን ምምሃሮም ማለት ንሰብ ዚወሃብ ኣኽብሮ ከምዚርድኡ ምግባር ማለት እዩ።*

**2525** *ክርስትያናዊ ንጽሕና፡ ንምኽታል፡ እቲ ማኅበረሰባዊ ሃለዋት (ኣየር)*
2344 *ኪነጽሕ የድልዮ። ናይ መራኸብ-ብዙኃን መጋበሪ ዘቕርብዎ መደባት፣ ደረትን ክብረትን ዝሓለወ ኪኸውን ይድለ። ንጽሕና-ልቢ ድማ፡ ካብ'ቲ ብሰፊሑ ዝተዘርግሐ ስምዒት ፍትወት-ሥጋ ሓራ ይገብረካ፣ ወሲባዊ ዝንባሌ ወይ ስምዒት ዘለዓዕልን፣ ዘይጭበጥን ዘይተሓዝን ዓይነት መዘናግዕን የወግደልካ።*

**2526** *ሞራላዊ ስድነት ዝተባህለ፣ ግጉይ ኣብ ዝኾነ ርድኢት ሰብኣዊ*
1740 *ናጽነት ዝተመርኰሰ እዩ። ሓቀይና ናጽነት ንኺድልድል እቲ ኣድላዪ ቅድመ ኵነት ብሞራላዊ ሕጊ ዝተሓነጸካ ምኳን እዩ። እቶም ኣብ ሥነመዕበያን*

ትምህርትን ዝተዋፈሩ ድማ፡ ንመንእሰያት ኣብ ዚህብዎ ትምህርቶም፡ ንሓቂ ዚግባእ ኣኽብሮ፣ ናይ ልቦና ብቕዓት፣ ከምኡ'ውን ንናይ ወድሰብ ሞራላውን መንፈሳውን ክብረ-ግርማ ዚርኢ ኪምህርዎም ይግባእ።

**2527** "ናይ ክርስቶስ ጥዑም ዜና፡ ንናይ ውዱቕ ሰብ ሕይወትን ሕንጸትን ቀጺሉ ኪሓድሶ ይርከብ። ወትሩ ህልው ካብ ዝኾነ ድርኺት-ኃጢኣት ንዚመጽእ ስሕተትን ክፍኣትን፡ ይዋግኦን፣ የወግዶን። ንናይ ሕዝብታት ሥነምግባር እንካብ ምንጻሕን፡ ክብ ምባልን (ምልዓልን) ፈጺሙ ኣየቋርጽን። ናይ ነፍስወከፍ እዋንን ወገንን መንፈሳዊ ብቕዓትን ዕድሎትን ወሲዱ ድማ፣ ብውሽጡ ብመንፈሳዊ ሃብታትን ጸጋታትን ከምዚዕንብብ ይገብሮ፣ የበርትዮን-ይምልኦን፣ ኣብ ክርስቶስ ከኣ ናብ ምልኣቱን ተሓድሶኡን ይመልሶ።"[315] 1204

## ብሓጺር

**2528** "ንጓለንስተይቲ ርእዩ ዚትምነያ ኹሉ፣ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘሚዉ እዩ" (ማቴ.5፡28)

**2529** ታሽዓይ ትእዛዝ፣ ተጻይ ዘይሥሩዕ ሃረርታን ሥጋዊ ፍትወትን የጠንቅቕ።

**2530** ተጻይ ፍትወት-ሥጋ ኣብ ዚግበር ገድሊ፣ ናይ ልቢ ምንጻሕን፣ ምጡን ምኳንን የሓትት።

**2531** ንጽሕና-ልቢ ኣምላኽ ንምርኣይ የኽእለና። ሕጂ'ውን እንተኾነ ንነገራት ብዓይኒ-ኣምላኽ ንምጥማት ይሕግዘና።

**2532** ልቢ ንምንጻሕ፣ ጸሎት ንጽሕና (ተዓቅቦ) ምዝውታር፣ ንጽሕና ኀሊናን ኣተናን የሓትት።

**2533** ንንጽሕና-ልቢ፡ እቲ ብትዕግሥቲ፡ ጽፈት-ልቦናን ዚግለጽ ምጥንና ወይ ትሕትና ኣድላዪ እዩ። ትሑት ወይ ምጡን ምኳን ንውሽጣዊ መንፈስ-ሰብ ኪሕልዎ ይርከብ።

[315] ፍሥሓን ተስፋን GS 58 § 4

# ኣንቀጽ 10
# ዓሥራይ ትእዛዝ

ቤት-ብጻይካ ኣይትተምነ። ሰበይቲ ብጻይካ ገዝኡ፣ ግዝእቱ፣ ብዕራዩ፣ ኣድጉ፣ ገንዘብ ብጻይካ ዘበለ ኹሉ ኣይትተምነ።[316]

ከመይ ሃብትኻ ኣብ ዘለዎ፣ ልብኻ ኣብኡ ኣሎ።[317]

**2534** ዓሥራይ ትእዛዝ፣ ነቲ ብዛዕባ ፍትወተ-ሥጋ ዚግደስ ታሽዓይ ትእዛዝ
2112 ይገልጽን ኣጸቢቑ ይምልእን፣ ነቲ ብሻብዓይ ትእዛዝ ዚኽልከል፡ ስርቂ፡ ዓመጽን
2069 ምጥፍፋእን ሡሩ ዝኾነ ንብረት-ካልኦት ምምናይን ከኣ ይኽልክል። “ናይ ዓይኒ
ትምኒትን ስሕበትን” ናብ’ቲ ብኃሙሻይ ትእዛዝ ዝተኸልከለ ዓመጽን ግፍዕን
የብጽሕ።[318] ስስዕቲ ድማ ልክዕ ከም ምንዝርና፣በተን ሠለስተ ቀዳሞት ትእዛዛት
(ሕግታት) ካብ ዚኽልከል ኣምልኾ ጣዖት ዚፍልፍል እዩ።[319] እዚ ዓሥራይ
ትእዛዝ እምበኣር፡ በቲ ኣብ ልቢ ዚበቊል ኀሊና(ኣተና) ዚግደስ እንኪኸውን፣
ምስ’ቲ ታሽዓይ ትእዛዝ ኀቢሩ ከኣ ናይ ትእዛዛት ሕጊ ተዋጽኦ ወይ ጽማቑ ኮይኑ
ይርከብ።

## I. ሳዕቤናት ስሱዕ ስምዒት

**2535** ስምዒታዊ ትምኒት (ሸውሃት) ነቲ ዘይብልና ዘሓጕስ ነገራት ከምንደሊ
1767 ይገብረና፤ ንኣብነት፡- ምስጠመና ክንበልዕ፣ ወይ ከኣ ምስቈረርና ክንመውቕ
ዘሎና ባህጊ። እዚ ባህግታት’ዚ ብርእሱ ጽቡቕ እዩ። እንተኾነ ደረት-ልቦናን
ምስትውዓልን ሰጊሩ ንዘይናትናን፡ ናይ ካልእን ወይ ንካልእ ዚግባእ ብዘይሥሩዕ
ኣገባብ ክንምነዮ ይድርኸና።

**2536** ዓሥራይ ትእዛዝ እምበኣር፣ ስስዕትን ከምኡ’ውን ምድራዊ ሃብቲ
2445 ንምእካብ ደረት-ኣልቦ ባህግን ይኽልክል። ንሃብቲ ካብ ዘሎና ስምዒታዊ ባህጊ
ንዚለዓል ህርፋንን፣ ምስኡ ንዚመጽእ ስምዒት ጸብለልትነት ይኽልክለና።
ከምኡ’ውን ንብጻይና ብምድራዊ ንብረቱ ዝመጽአ ንምጕዳእ፡ ግፍዒ ንምፍጻም
ከይንምነ ይእግደና፡-

እቲ ሕጊ “ኣይትመነ” ኪብለና እንከሎ፣ ናትና ንዘይኮነ ኩሉ ከይንምነ ንትምኒትና ኩሉ ከነጥፍኦ ዘመልክት እዩ። ንናይ ካልእ ሰብ ንብረት ዘሎና ጽምኢ ኣዝዩ ሰፊሕ ደረት-ኣልቦን፡ ዘይረውን እዩ። ምእንት’ዚ ከኣ፣ “እቲ

[316] ዘፀ 20፡17፣ዘዳ 5፡21
[317] ማቴ 6፡21
[318] 1 ዮሓ 2፡16፣Mic 2፡2 ረአ
[319] ጥበ 14፡12 ረአ

ንገንዘብ ዘፍቅር፡ ዚኣክል ገንዘብ ኣይኪህልዎን እዩ" ዚብል ጽሑፍ ይርከብ።[320]

**2537** ግቡእ ኣገባብን መደብን ዝተኸተለ ደኣ ይኹን እምበር፣ ናይ ብጻይካ ንብረት ንምርካብ ምምናይ ነዚ ዝተጠቕሰ ትእዛዝ ዚጥሕስ ኣይኮነን። "ተጻይ'ቲ ገበናዊ ዝኾነ ባህግታቶም ተሪር ቃልሲ ዘካይዱ ኵሎም"፣ ስለ'ዚ ኸኣ "ነዚ ትእዛዝ'ዚ ንምፍጻም ኪተባብዑ ዚግበኦም" ወገናት እቲ ጥንታዊ ወይ ትውፊታዊ መደብ ትምህርተ ክርስትና ኪጠቕሶም ይርከብ፡-

> ...ዋሕዲ ኣቕሑት-ዕዳጋ ኪፍጠር'ሞ ዋጋታት ኪንህር ዚምነዩ፣ ብዝወሓደ ርካሽ ዋጋ ገዚኦም፣ ብዝለዓለ መኸሰብን ክብርን ንምሻጥ ኪጥዕሞም፣ ብዘይካኣቶም ገዛእን ሸያጥን ኪርእዩ ዘይደልዩ፣ ካብኦም ብምግዛእ፣ ወይ ነኣኣቶም ብምሻጥ ገለ መኽሰብ ምእንቲ ኪሓፍሱ፣ ናይ ብጾቶም ምኽሳርን ንዴትን ዚትስፈዉ፣ ሕማም ኪሰፍሕ ዚደልዩ (ዚጽበዩ) ሓካይም፣ ዓበይቲ ክስታትን ኸርክራትን ኪለዓል ዚብህጉ ጠበቓታት...[321]

**2538** ቅንኢ ካብ ልቢ-ወድሰብ ፈጺሙ ኪውገድ፣ እዚ ዓሥራይ ትእዛዝ ዚሓቶ እዩ። ነቢይ ናታን፡ ንንጉሥ ዳዊት ኪወቕሶን፣ ናብ ንስሓ ከንቀሳቕሶን ምስ ደለየ፣ ሓንቲ በጊዕ ዝነበረቶ ናይ ሓደ ድኻ ሰብኣይ ዛንታ ነገሮ። እቲ ድኻ ሰብ ነዛ በጊዑ ከም ሓንቲ ውላዱ ይርእያን ይከናኸናን ነበረ፤ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ድማ፡ ምስ'ቲ ኩሉ ብዙሕ ዝቝጽሩ መጓሰኡ፡ በቲ ድኻ ሰብኣይ ኪቕንእ ተረኽበ። ኣብ መወዳእታኡ ከኣ ነታ ኡንኮ በጊዑ (ነቲ ድኻ) ሰረቖ።[322] ቅንኢ ናብ'ቲ ዝኸፍአ ገበን ከብጽሕ ዚኽእል እዩ።[323] "ሞት ግና፡ ብቕንኣት-ሰይጣን እያ ናብ ዓለም ዝኣተወት"[324]፡- 2317 391

> ንሓድሕድና ክንዋጋእ ንርከብ፣ ቅንኢ ድማ ተጻይ ሓድሕድና እንጥቀመሉ ኣጽዋር እዩ....ነፍስወከፍ፡ ነቲ ኣካለክርስቶስ ንምህዋኽ (ንምንዋጽ) ዚጽዕር እንተኾይኑ መወዳእታናስ እንታይ ኪኸውን ማለት እዩ? ንኣካል-ክርስቶስ ሬሳ ንምግባሩ ኢና ተዓጢቕና ዘሎና ማለት'ዩ።.... ሓደ ናይ ዝኾነ ሕያው ኣካል ኣባላት ኢና ኢልና ንዛረብ፣ ግን ከአ ጋና ከም ኣራዊት ሓደ ንሓደ ኪውሕጦ ይርከብ ኣሎ።[325]

**2539** ቅንኢ ካብ ኣርእስቲ-ኃጢኣት ሓደ እዩ። ናይ ካልእ ንብረትን ጥሪትን ምስረአኻ ንዚወርደካ ጓህን፣ ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ'ውን ይኹን፣ ናትካ ንርእስኻ ንኽትገብሮ ንዚለዓለካ ዘይሥሩዕ ባህግን ዚርኢ እዩ። ንብጻይካ ዓቢይ ጕድኣት ክትምነየሉ ከሎኻ፣ ዓቢይ ኃጢኣት እዩ፡- 1866

---

[320] ሮማዊ ትም.ክር. III, 37፣ሚራ 5:8 ረአ
[321] ሮማዊ ትም.ክር. III, 37
[322] 2 ሳሙ 12:1-4 ረአ
[323] ዘፍ 4:3-7፣1 ነገ 21:1-29 ረአ
[324] ጥበ 2:24
[325] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ Hom. in 2 ቆሮ 27፣ 3-4 PG 61፣ 588.

> ቅዱስ ኣጐስጢኖስ ድማ፡ ንቅንኢ ከም ሓደ “ሰይጣናዊ ኃጢኣት” ገቢሩ ይርእዮ።[326] ካብ ቅንኢ ዚውለድ ከኣ ጽልኢ፣ ምቕንጻብ፣ ውዲት-ሓሶት፣ ንብጻይካ ብዝወረዶ ጉድኣት ባህታ፣ ከምኡ'ውን ብሃብቱ ዚስመዓካ ሕርቃን እዩ።[327]

**2540** ቅንኢ ሓደ ዓይነት ጓሂ እዩ፤ ምእንት'ዚ ከኣ ንመደብ ፍቕሪ ምንጻግ
1829 እዩ። እቲ ዝተጠምቀ ሰብ ጽቡቕ ድሌት ብምንቅስቓስ ንጽልኢ ኪዋግኦ ኣለዎ። ብዚበዝሕ ቅንኢ ካብ ትዕቢትን ጃህራን ዚብገስ እዩ። ስለ'ዚ እቲ ዝተጠምቀ ሰብ፡ ብትሕትና ንምንባር ኪመሃር ኪለማመድ ይግበኦ፡-

> ኣምላኽ በኣኻ ክቢሩዶ ክትርኢ ትምነ? ከምኡ እንተኾይኑ፣ ብናይ ኃውኻ ምዕባሌ ተሓጐስ፣ ብኡብኡ ንኣምላኽ ክብሪ ክትህብ ኢኻ። እቲ ኣገልጋሊኡ ብናይ ካልኦት ትሩፋትን ዓወትን ብምሕጓሱ፤ ንቕንኢ መሊኹ ስለዝኸኣለ፣ ኣምላኽ በሓቂ ኪውደስ እዩ።[328]

## II. *ሃረርታ መንፈስ*

**2541** *ሥነምጋቤ ሕግን ጸጋን፣* ንልብ-ወድሰብ ካብ ቅንእን ህርፋንን
1718 ኪመልሶ ይርከብ። ሰባት ነቲ ዝለዓለ ሠናይ ንኺብህጉ የበግሖም፣ ንልቢ-ሰባት
2764 ዘዕግብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ባህግታት ንኺሓድሮም ይምህሮም።

እቲ ምንጪ ቃል-ተስፋ ዝኾነ ኣምላኽ፣ ካብ ፈለማ፡ “ንምርኣያ
397 ጽብቕቲ...ንምብልዓ ጥዕምቲ፣ ጥበብ ብምሃብ'ውን ብህግቲ”[329] መሲላ ካብ ትረአ ንኪጥንቀቕ ንሰብ ተጻይ ዝኾነ ዓይነት ጥበራ ከለብሞ ተረኺበ።

**2542** ንእስራኤል ሕድሪ ዝተዋህበ ሕጊ፡ ኣብ ትሕቲኡ ንዝነበሩ ምጽዳቕ
1963 (ምንጻሕ) ኣይተኻእሎን፤ እኳደኣ መሳርሒ “ትምኒት” ክሳብ ምዃን በጽሐ።[330] ኣብ መንጎ ምድላይን ምግባርን፡ ዘሎ ፍልልይ፣ “ሕጊ መንፈሰይ” ዝኾነ ሕጊ-እግዚኣብሔርን፣ “ኣብ ሰብነተይ ብዘሎ ሕጊ-ኃጢኣት ኣቢሉ ዚማርኸኒ ካልእ ሕግን”[331] ኣብ መንጎ'ዚ ክልቲኡ ንዘሎ ግርጭት ዘመልክት እዩ።

**2543** “ሕጂ ግና፡ ሕግን ነቢያትን ከምዝመስከርዎ፣ ጽድቂ-ኣምላኽ ብሕጊ
1992 ሙሴ ዘይኮነ፣ ብካልእ መንገዲ ተገሊጹ ኣሎ። ኵሎም እቶም ዚኣምኑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዝጸድቑ፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ብምእማን እዩ። ኣብ'ዚ ሌላን ጕሌላን የልቦን”[332]። ምእንት'ዚ ድማ እቶም ምእመናን-ክርስቶስ “ንሰብኣዊ

---

326 *ቅ.ኣጐስጢኖስ* De catechizandis rudibus 4, 8 PL 40, 315-316 *ረአ*
327 *ቅ.ጎርጎርዮስ ዓቢይ* Moralia in Job 31, 45፡ PL 76, 621.
328 *ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ* Hom. in Rom. 71, 5፡ PG 60, 448
329 *ዘፍ* 3፡6
330 *ሮሜ* 7፡7 *ረአ*
331 *ሮሜ* 7፡23፣7፡10 *ረአ*
332 *ሮሜ* 3፡21-22

ባሕሪኦም (ሥጋኦም) ምስ ኵሉ ፍትወቱን ትምኒቱን ሰቒሎምዎ እዮም"፣ ብመንፈስ ተመሪሖም ዘነብሩ ስለዝኾኑ ከኣ፣ ነቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ባህጊ ይኽተሉ።[333]

## III. ትሕትና ልቢ 2443-2449

**2544** ኢየሱስ ንተኸተልቱ፣ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ነገርን ሰብን፡ ነኣኡ ከቕድሙ (ኪመርጹ) ኣዘዞም፤ ምእንትኡን ምእንቲ ወንጌልን ከኣ፡ "ኵሉ ዘለዎም ነገራት ኪምንኑ" ቀ፡ርጹ ነገሮም።[334] ቀ፡ሩብ ቅድሚ ሥቓያቱ (ሕማማቱ)፡ ኣብ'ቲ ድኽነታ፣ ኵሉ'ቲ ከናብራ ዝምኽኣለ ጸንቂቓ ንዝሃበት፣ ነታ ናይ ኢየሩሳሌም መበለት ከም ኣብነት ኣቕረበሎም።[335] ናብ መንግሥተ ሰማያት ንምእታው፡ ልብኻ ካብ ሃብቲ ፈጺሙ ኪፍለ ኣለዎ ዚብል ሕጊ ግዴታ እዩ። 544

**2545** ምእመናን-ክርስቶስ ኵሎም "ብኣጠቓቕማ ምድራዊ ነገራትን፣ ተጻይ መንፈስ ወንጌላዊ ድኽነትን ብዝኾነ ፍቕሪ-ሃብቲ፣ ናይ ፍጽምቲ ፍቕሪ ሃሰስታኦም (ምድላዮም) ከይኵለፍን ከይተዓናቐፍን፣ ንስምዒታቶምን ፍቕሮምን ቅኑዕ ኣንፈት ከትሕዝዎ ኣለዎም።"[336] 2013

**2546** "ብመንፈሶም ድኻታት ዝኾኑ ብፁዓን እዮም"።[337] እዚ ኣንቀጸ-ብፁዓን ነቲ ናይ ታሕጓስን ጸጋን፣ ናይ ጽባቐን (ሥን) ሰላምን ሥርዓት ይገልጽ። መንግሥተ ሰማያት ድሮ ናቶም ዝኾነት[338]፣ ናይ'ዞም ድኻታት ታሕጓስ፣ ኢየሱስ ኪዝክሮን ከኽብሮን ይርከብ። 1716

> ወድሰብ ብድልየቱ ንዚቕበሎ መንፈስ ትሕትና፣ ቃል-ኣምላኽ "ብመንፈስካ ድኽነት" ኪብል ይሰምዮ። ሓዋርያ ጳውሎስ ድማ "ምእንታኻትኩም ድኻ ኮነ" እንኪብል፣ ናይ ድኽነት-ኣምላኽ ኣብነት ይህብ።[339]

**2547** ነቲ ምጽንናዖም ኣብ ብዝሒ ጥሪትን ንብረትን ኪረኽቡዎ ብዛዕባ ዝመደቡ ሃብታማት'ዚ ዓለም'ዚ፣ ኢየሱስ ኣምሪሩ ኪሓዝን ተረኽበ።[340] "እቶም ትዕቢተይናታት ንምድራዊ መንግሥቲ ሃሰስ ኪብሉን ከፍቅሩን ሕደግዎም፤ እቶም ብመንፈስ ድኻታት ግና፡ ብፁዓን እዮም፣ ከመይ መንግሥተ ሰማይ ናታቶም እያ"።[341] ኣብ ኃልዮት'ቲ ሰማያዊ ኣቦ ምጽጋዕ፣ ብዛዕባ ጽባሕ ካብ 305

---

[333] 5፡24፣ሮሜ 8፡14፣ 27 ረኣ
[334] ሉቃ 14፡33፣ማር 8፡35 ረኣ
[335] ሉቃ 21፡4 ረኣ
[336] ብር.ኣሕ. LG 42 § 3.
[337] ማቴ 5፡3
[338] ሉቃ 6፡20 ረኣ
[339] ቅ.ጎርጎርዮስ ዘኑሲስ De beatitudinibus 1፡ PG 44,1200D፣2 ቆሮ 8፡9 ረኣ
[340] ሉቃ 6፡24
[341] ቅ.ኣጎስጢኖስ De serm. Dom. in monte 1, 1, 3፡ PL 34, 1232.

ምጭናቕ ኪገላግለና ይርከብ።[342] ኣብ ኣምላኽ ምእማንን ምጽጋዕን፣ ናብ ብፅዕነት ድኻታት ዜሰናዱ እዩ። ንሳቶም ንኣምላኽ ኪርእይዎ እያቶም።

## IV. "ንኣምላኽ ክርእዮ እደሊ ኣሎኹ"

**2548** እቲ ኣብ ሰብ ዘሎ ሃረርታ ሓቀይና ታሕጓስ፡ ምስ ናይ'ዚ ዓለም'ዚ
2519 ንብረት፣ ዘይሥሩዕ ዓይነት ምጥባቕ ከይገብር ሓራ የውጽኦ፤ በዚ ኸኣ ብናይ እግዚኣብሔር ብፅዕናን ራእይን ተፍጻሜቱ ኪረክብ ይኽእል። "ንእግዚኣብሔር ናይ ምርኣይ ተስፋ ልዕሊ ኹሉ ብፅዕና ጸብለል ዚብል እዩ...ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ፣ ምርኣይ ማለት ምጭባጥ (ምርካብ) እዩ... እቲ ንኣምላኽ ኪርእዮ ዝኸኣለ፣ እቲ ኪሓስቦ ዚኽእል ሠናያት ኩሉ ረኺቡ ማለት እዩ።"[343]

**2549** እቲ ቅዱስ ሕዝቢ እምበኣር ካብ ላዕሊ ብዚመጽእ ጸጋ ተሓጊዙ፣ ነቲ
2015 ኣምላኽ ዘተስፈዎ ሠናይ ነገራት ንምርካብ ኪጽዕር ኣለዎ። እቶም ምእመናን ክርስቶስ፣ ንኣምላኽ ንኺረኽብዎን ከስተንትንዎን፡ ሃረርታኦም ኪቈጻጸሩ፣ ብጸጋ-ኣምላኽ ድማ፡ ናብ ባህታን ፍትወትን ናብ ጸብለልትነትን ኣቢሉ ንዜስድዮም ኩሉ ኪስዕርዎ ይርከቡ።

**2550** ብዛዕባ'ዚ መንገዲ ፍጽምና፣ እቲ መንፈስ ኮነ እቲ መርዓዊ፡ ኪሰምዮም ንዝኸኣለ ዘበለ[344] ናብ'ቲ ፍጹም ናይ ኣምላኽ ኅብረትን ሱታፌን ይጽውዕዎ፡

314 ሓደ'ኳ ብጌጋ ወይ ብጥበራ ኣብ ዘይውደሰሉ፣ ኣብኡ እቲ ሓቀይና ውዳሴ-ክብሪ ኣሎ። ሓቀይና ክብሪ ንዚግበኦም ኣይኪንፈጎምን እዩ፤ ነቶም ነኣኡ ዘይበቕዑ ከኣ ኣይኪወሃቦምን እዩ። ከምኡ ድማ፣ ብቑዕን ግቡእን ዘይኮነ ወላ ሓደ'ኳ ብቑዕ'የ ኢሉ ኪቕርብ ዚርከብ የልቦን፤ እቶም ብቑዓት ጥራሕ'ዮም ተቐባልነት ዚረኽቡ። ኣብኡ ወላ ሓደ'ኳ ካብ ርእሱ ይኹን ካብ ካልእ ተቓውሞ ዚመጽኦ ስለዘየልቦ፣ ሓቀይና ሰላም ኪሰፍን እዩ። ኣምላኽ ብቐንዱ ናይ'ቲ መንፈሳዊ ኃይላት ዓስቢ ኪኸውን እዩ። ንሱ ባዕሉ መንፈሳዊ ኃይላት ይህብ፣ ከምኡ ድማ እቲ ዝበለጸን ዝተመርጸን ኸልማት (ዓስቢ) ገቢሩ ርእሱ ኪህብ ቃል ኣትዩ እዩ... "ኣነ ኣምላኾም ክኸውን፣ ንሳቶም ድማ ሕዝበይ ኪኾኑ እዮም...." "ኣምላኽ ኩሉን ኣብ ኩሉን ምእንቲ ኪኸውን" ዚብል ናይ ሓዋርያ ቃላት'ውን ትርጓሜኡ እዚ እዩ። ኣምላኽ ብርእሱ ናይ ባህግናን ትምኒትናን ዕላማ ኪኸውን እዩ፤ መወዳእታ ብዘይብሉ ከነስተንትኖ፣ ከይተመነወና ከነፍቅሮ፣ ከይሰልከየና ክንውድሶ ኢና። እዚ ህያብ'ዚ፣ እዚ ሃለዋት'ዚ እዚ ተግባር'ዚ፣ ልክዕ ከም'ቲ ዘለዓለማዊ ሕይወት ብርእሱ፡ ብርግጽ ንኹሉ ናይ ሓባር ኪኸውን እዩ።[345]

---

[342] ማቴ 6፡25-34 ረኣ
[343] ቅ.ጎርጎርዮስ ዘኑሲስ De beatitudinibus 6፡ PG 44, 1265A.
[344] ራእ 22፡17 ረኣ
[345] ቅ.ኣጎስጢኖስ De civ. Dei, 22, 30፡ PL 41, 801-802፣ዘሌ 26፡12፣1 ቆሮ 15፡28 ረኣ

## ብሓጺር

2551 “ሃብትኻ ኣብ ዘለዎ፣ ልብኻ ድማ ኣብኡ ኣሎ” (ማቴ.6፡21)።

2552 ዓሥራይ ትእዛዝ፡ ደረት ካብ ዘይብሉ ፍቕሪ ሃብትን ጸብለልትነትን (ሥልጣን) ንዚፍልፍል ህርፋን ይኽልክል።

2553 ቅንኢ፡ ናይ ካልእ ንብረትን ጥሪትን ምስረኣኻ ዚስመዓካ ጓህን፡ ንርእስኻ ንኽትገብሮ ዚለዓለካ ዘይሥሩዕ ባህግን እዩ። ሓደ ካብ ኣርእስተ ኃጢኣት እዩ።

2554 እቲ ዝተጠምቀ ሰብ ብጽቡቕ ድላይን ብትሕትናን፣ ርእሱ ኣብ ኃልዮት-ኣምላኽ ብምግባርን፣ ንቕንኢ ኪዋግኦ ይርከብ።

2555 ምእመናን-ክርስቶስ “ንሰብኣዊ ባሕሪኦም (ሥጋኦም) ምስ ኵሉ ፍትወቱን ትምኒቱን፡ ሰቒሎምዎ እዮም” (ገላ.5፡24)፤ ብመንፈስ ይምርሑ፣ ነቲ ድልየቱ ከኣ ይኽተሉ።

2556 ናብ መንግሥተ ሰማያት ንምእታው፡ ልብኻ ካብ ሃብቲ ምርሓቕ (ምፍላይ) ኣድላዪ እዩ። “ብመንፈሶም ድኻታት ዝኾኑ ብፁዓን እዮም” (ማቴ.5፡3)።

2557 “ንኣምላኽ ክርኢ ሃረር እብል” ዚብል ብሂል ነቲ ቅኑዕ ባህጊ ወድሰብ ዚገልጽ እዩ። ናይ ኣምላኽ ጽምእና ዚረዊ ድማ ብማይ ዘለዓለማዊ ሕይወት እዩ፣ (ዮሓ.4፡14 ረአ)።

# ራብዓይ ክፍሊ
# ጸሎት ክርስትና

## ቀዳማይ ወገን፥
## ጸሎት ኣብ ሕይወት ክርስትና

### ምዕራፍ ሓደ፥
### ናይ ጸሎት ተገልጸ (ግልጸት)
### ኩሉ ሰብ ንጸሎት ተጸዊዑ እዩ

**ኣንቀጽ 1፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን**

ብሓጺር

**ኣንቀጽ 2፡ ኣብ ምልኣት ግዜ**

ብሓጺር

**ኣንቀጽ 3፡ ኣብ ዘመነ ቤተክርስትያን**

I. ቡራኬን ስግደትን
II. ጸሎት ልመና
III. ጸሎት ኣማልድነት
IV. ጸሎት ምስጋና
V. ጸሎት ውዳሴ

ብሓጺር

### ምዕራፍ ክልተ፥
### ናይ ጸሎት ትውፊት

**ኣንቀጽ 1፡ ኣብ ናይ ጸሎት ምንጭታት**

ብሓጺር

**ኣንቀጽ 2፡ ኣገባባት ጸሎት**

ብሓጺር

ኣንቀጽ 3፡ መምርሕታት ጸሎት

ብሓጺር

## ምዕራፍ ሠለስተ፡

## ሕይወት ጸሎት

ኣንቀጽ 1፡ መግለጺ ጸሎት

I. ድምጻዊ ጸሎት (ናይ ቃል)

II. ጸሎት ኣስተንትኖ

III. ሰቂለኀሊናዊ ጸሎት

ብሓጺር

ኣንቀጽ 2፡ ናይ ጸሎት ገድል

I. ዕንቅፋት ጸሎት

II. ትሕትና ዝዓዘዞ ንቕሓት-ልቢ

III. ውሉዳዊ ምትእምማን

IV. ኣብ ፍቕሪ ምጽናዕ

ኣንቀጽ 3፡ ናይ'ታ ሰዓት-ኢየሱስ ጸሎት

ብሓጺር

# ራብዓይ ክፍሊ

# ጸሎት ክርስትና

## ቀዳማይ ወገን

## ጸሎት ኣብ ሕይወት ክርስትና

**2558** “ምሥጢረ እምነት በሓቂ ዓቢይ እዩ!” ቤተክርስትያን ነዚ ምሥጢር'ዚ ዘለዋ እምነታ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ትገልጾ(ቀዳማይ ክፍሊ)፣ ኣብ'ቲ ትእምርተ-ምሥጢራዊ ግብረ-ኣምልኾ ድማ ተኽብሮን ትዝክሮን(ካልኣይ ክፍሊ)፣ በዚ ኸኣ እቲ ሕይወት-ምእመን ብመንፈስ ቅዱስ ንኽብሪ-እግዚኣብሔር-ኣቦ ንኽርስቶስ ከምዚመስል ይኸውን (ሣልሳይ ክፍሊ)። እዚ ምሥጢር'ዚ እምበኣር ምእመናን ኪኣምንዎን፡ ከኽብርዎን ኪዝክርዎን፣ በኣኡ'ውን ምስ'ቲ ሕያውን ኡነተይናን ኣምላኽ፣ ሕይወት ዚህብን ቀጥተይናን ርክብ ኪምሥርቱ ይርከቡ። እዚ ርክብ'ዚ ጸሎት እዩ።

### ጸሎት እንታይ ማለት እዩ?

> ነኣይ እንተኾይኑ ጸሎት፡ ናይ ልቢ ምልዕዓል እዩ፤ ንመንግሥተ ሰማይ ገጽካ ዚግበር ዝኾነ ቌላሕታ እዩ፣ ጸበባን ታሕጓስን ዚሓቍፍ፡ ናይ ምቕባልን ምፍቃርን ኣውያት እዩ።[1]

### ጸሎት ህያብ - ኣምላኽ እዩ

**2559** “ጸሎት ማለት ሓሳብካን ልብኻን ናብ ኣምላኽ ገጽካ ምልዓል፣ ወይ 2613
ከኣ ካብ ኣምላኽ ሠናይ ነገር ምልማን ማለት እዩ።”[2] እንተኾነ ክንጽሊ ከሎና 2763
ካብ ድልየትናን፣ ካብ ልዕልና-ትዕቢትናን ዲና እንብገስ፣ ወይስ “ካብ መዓሙቕ” ካብ'ቲ ትሑትን ጥዑስን ልቢ?[3] እቲ ርእሱ ዘትሕት ኪልዕል እዩ፣[4] ትሕትና መሠረት ጸሎት እዩ። “ከምቲ ዚግበኣና ምጽላይ ዘይንኽእሎ (ዘይንፈልጦ) ምኳንና”[5] ብትሕትና ምስተኣመንና ጥራሕ ኢና፣ ንጸሎት ከም መጠን ህያብ

---

[1] ቅ.ተሬዛ ዘ ሊሴ Manuscrits autobiographiques, C 25r
[2] ቅ.ዮሓንስ ዘደማስቆ De fide orth. 3, 24፡ PG 94, 1089C.
[3] መዝ 130፡1
[4] ሉቃ 18፡9-14 ረአ
[5] ሮሜ 8፡26

ብናጻ ክንቅበሎ እንበቅዕ። “ወድሰብ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓደ መንም ለማናይ እዩ”[6]።

**2560** “ህያብ-ኣምላኽ እንተትፈልጥስ”![7]። ጸሎት ዘገርም ምኽኑ ዚግለጸልና፡ ኣብ'ቲ ማይ ደሊና እንመጸ ዔላ እዩ፤ ክርስቶስ ንነፍስወከፍ ሰብኣዊ ፍጡር ኪራኸቦ ናብኡ ይመጽእ። ንሱ ባዕሉ እዩ ብቐዳምነት ዚደልየናን፣ ኪሰቲ ዚሓተናን። ኢየሱስ ጸሚኡ ይርከብ፤ እቲ ሕቶኡ ድማ ኣምላኽ ኣባና ካብ ዘለዎ ናይ ባህጉ ዕምቈት ዝወጽአ እዩ። ነስተውዕሎ ኣይነስተውዕሎ እንድዒ'ምበር፣ ጸሎት ናይ ጽምኢ-ኣምላኽን ጽምእናን ምርኻብ እዩ። ንሕና ነኣኡ ምእንቲ ክንጸምኦ፡ ኣምላኽና ናትና ጽምኢ ተሰምየ።[8]

**2561** “ንስኺ ምለመንክዮ ነይርኪ፣ ንሱ ኸኣ ማይ-ሕይወት ምሃበኪ ነይሩ”[9]፣ ዳርጋ ግርምቢጥ እዩ፣ እቲ ናይ ልመና ጸሎትና፡ ነቲ ብወገን ሕያው ኣምላኽ ዝቐረበ ሕቶ (ልመና) ዝተዋህበ ምላሽ እዩ። “ፈልፋሊ ማይ-ሕይወት ንዝኸንኩ ነኣይ ሓዲጎም፣ ማይ ዘየዕቍር ነቓዕ ሓጽብታት ንርእሶም ኵዒቶም እዮም”።[10] ጸሎት እምበኣር፡ ነቲ ብናጻ ዝተዋህበ ተስፋ-ድኅነት ዚወሃብ ናይ እምነት ምላሽ፣ ከምኡ'ውን ነቲ ኡንኮ ወልደ-እግዚኣብሔር ንጽምኡ ዚወሃብ ናይ ፍቕሪ ምላሽ እዩ።[11]

## ጸሎት ኪዳን እዩ

**2562** ጸሎት ካበይ ይመጽእ? ጸሎት፡ ብቓላት ኮነ ብኣገባባት ደኣ ይገለጽ እምበር፤ ዚጽልስ እቲ ምሉእ ሰብ እዩ። እንተኾነ ብዛዕባ ምንጪ ጸሎት ኪዝረብ ከሎ፣ ቅዱስ መጽሓፍ ሓደሓደ ግዜ ብዛዕባ ነፍሲ ወይ መንፈስ፣ ብዚበዝሕ ግን ብዛዕባ ልቢ (ልዕሊ ሽሕ ግዜ ይጥቀስ) ይዛረብ። ከም ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ኣበሃህላ፡ እቲ ዚጽሊ ልቢ እዩ። ልብና ካብ ኣምላኽ ፈጺሙ ርሒቑ እንተደኣ ተረኺቡ፣ እቲ ቃላት-ጸሎት ኸንቱ እዩ።

**2563** እቲ ቀንዲ ሰፈረይ፣ ዘሎኹሉን ዝነብረሉን ቦታይ ልቢ እዩ፤ ከም
2699 ኣገላልጻ ሴማውያን ወይ ከኣ ቅዱስ መጽሓፍ፣ ብዝጸናሕካ ጸኒሕካ፡ ብዘበልካ
1696 ኣቢልካ “እትዕቈበሉ ሰፈርካ” እቲ ልቢ እዩ። ልቢ እምበኣር እቲ ኅቡእ ወይ ስቱር ዝኾነ መሠረትና እዩ፤ ክንየው'ቲ ኣእምሮና ዚርኦን፡ ካልእን እዩ፤ መንፈስ-ኣምላኽ ጥራሕ ከኣ'ዩ ንልቢ-ወድሰብ ኪኣትዎን ብምልኣት ኪፈልጦን ዚኽእል። እቲ ሥነ-ኣእምሮኣዊ ዓቕምና ካብ ዚበጽሖ ንታሕቲ ኣዕሚቑ ዚኸይድ

---

[6] ቅ.ኣጕስጢኖስ Sermo 56, 6, 9፡ PL 38, 381.
[7] ዮሓ 4፡10
[8] ቅ.ኣጕስጢኖስ. De diversis quaestionibus octoginta tribus 64, 4፡ PL 40, 56 ረአ
[9] ዮሓ 4፡10
[10] ኤር 2፡13
[11] ዮሓ 7፡37-39፣19፡28፣ኢሳ 12፡3፣51፡1፣ዘካ 12፡10፣13፡1 ረአ

ቦታ-ውሳኔ ልብና እዩ። ልቢ ሰፈር ሓቂ እዩ፣ ኣብኡ ሕይወት ወይ ሞት ንመርጽ። ኣምሳል-ኣምላኽ ብምዃንና፡ ኣብ ርክብ ከኣ ስለንነብር፡ ናይ ምርኻብ ቦታ፣ ናይ ኪዳን ባይታ እዩ።

**2564** ጸሎት ክርስትና፣ ብኽርስቶስ ገቢሩ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዚፍጸም ናይ ኪዳን ርክብ እዩ። ካብ መንፈስ ቅዱስን ካባናን ዚፍልፍል፣ ሰብኣዊ ድላይ ምስ'ቲ ሰብ ዝኾነ ወልደ-እግዚኣብሔር ተወሃሂዱ ናብ ኣቦ ዝቐንዐ፡ ስራሕ ኣምላኽን ሰብን እዩ።

## ጸሎት ሱታፌ (ኀብረት) እዩ

**2565** ብትምህርቲ ሓዲስ ኪዳን ጸሎት ማለት፡ ምስ'ቲ ኂሩቱ (ሕያውነቱ) 260
ዘይድረት እግዚኣብሔር-ኣቦን፣ ምስ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስን፣ ምስ መንፈስ 792
ቅዱስን፣ ደቂ-እግዚኣብሔር ዚገብርዎ ሕያውን መሕየውን ዝኾነ ርክብ እዩ። ጸጋ መንግሥተ-ሰማያት ኪበሃል ከሎ፣ "እቲ ግርማውን ቅዱስን ህላዌ-ሥላሴ... ምስ'ቲ መላእ መንፈስ-ሰብ ምውህሃዱ" እዩ።'[12] ምእንት'ዚ ከኣ፡ ሕይወት-ጸሎት ማለት ኣብ ቅድም'ቲ ሥሉስ ቅዱስ ኣምላኽን፡ ምስኡ ብምኅባርን ዚርከብ ልማድ እዩ። እዚ ሱታፌ-ሕይወት ብግብሪ ኪረአ ዚከኣል እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ፡ ብጥምቀት ድሮ ምስ ክርስቶስ ተወሃሂድና ኢና።[13] ጸሎት፡ ክርስትናዊ ወይ ከኣ ክርስቶሳዊ ኪኸውን ዚኽእል፡ ምስ ክርስቶስ ሱታፌ ብዝተተኸለ መጠን እንኪኸውን፣ ኣካሉ ናብ ዝኾነት ቤተክርስትያን'ውን ዚሰፍሕ እዩ። ስፍሓቱን ንውሓቱን ጥልቀቱን ልክዕ ከምቲ ፍቕሪ-ክርስቶስ እዩ።[14]

---

[12] ቅ.ጎርጎርዮስ ዘኢ.ንዚ.ናዙ. Oratio, 16, 9፡ PG 35, 945
[13] ሮሜ 6፡5 ረአ
[14] ኤፌ 3፡18-21 ረአ

# ምዕራፍ ሓደ

# ናይ ጸሎት ተገልጾ (ግልጸት)

## ኵሉ ሰብ ንጸሎት ተጸዊዑ እዩ

**2566** ሰብ ንኣምላኽ ኪደሊ ይርከብ። እግዚኣብሔር ኣብ ስራሕ ፍጥረቱ
296 ንነፍስወከፍ ፍጡር፡ ካብ ዘይህላዌ ናብ ህላዌ ይጽውዖ። ድሕሪ መላእኽቲ
355 “ብኽብርን ግርማን ዝተኸለለ” ወድሰብ፣ “ስም-ጐይታስ፡ ኣብ ኵሉ ዓለም ክንደይ
28 ኮን ግሩም እዩ!”[1] ብምባል ኪድነቕን ኪእመንን ዚርከብ እዩ። ኃጢኣት
ብምፍጻም ነቲ ዘለዎ ኣምሳል-ኣምላኽ እንተህሰሰ’ውን፣ ወድሰብ ምስ ፈጣሪ ምኽኑ
ኣየቋረጸን፤ ምእንት’ዚ ነቲ ናብ ህላዌ ዝጸወዮ (ዘምጸኦ) ሃረር ምባሉ ይኽእል።
ሰባት ንኣምላኽ ሃሰስ ከምዚብሉ፣ ኣብ ኵሉ ሃይማኖታት ዚረጋገጽ ኣገዳሲ ነገር
እዩ።[2]

**2567** ቅድም እግዚኣብሔር ንሰብ ይጽውዖ። ሰብ ድማ ንፈጣሪኡ ኪርስዕ፣
30 ወይ ከኣ ካብኡ ኪሕባእ ይኽእል እዩ። ደድሕሪ ጣዖታት ኪኸይድ፣ ወይ ከኣ
142 ኣምላኽ ሓዲጉኒ ኢሉ ኪሓስብ’ውን ይኽእል እዩ። ምስ’ዚ ኹሉ ግን እቲ
ሕያውን ኡነተይናን ኣምላኽ፡ በቲ ጸሎት ዝተሰምየ ምሥጢራዊ ርክብ ገቢሩ፡
ንነፍስወከፍ ሰብ ከይተሓለለ ኪጽውዖ ይርከብ፤ ኣብ ጸሎት እምበኣር፣ ናይ’ቲ
እሙን ኣምላኽ ተበግሦ-ፍቕሪ ቅድሚ ኹሉ ይመጽእ፣ እቲ ናትና ቀዳማይ
ስጕሚ ኸኣ ወትሩ ከም ምላሽ እዩ ዚረአ። እግዚኣብሔር በብቑሩብ ርእሱ
እንኪገልጽን፣ ንሰብ ድማ ብዛዕባ ሰብ እንኪገልጸሉን፣ ሸዑ ጸሎት ሓድሕዳዊ
ጻውዒት፡ ዘደንቕ ናይ ኪዳን ታሪኽ ኮይኑ ይረአ። እዚ ክዉን ታሪኽ’ዚ (ድራማ)
ድማ ብቓላትን ተግባራትን ገቢሩ ንልቢ ከንቀሳቕስ ይርከብ። ኣብ መላእ ታሪኽ
ድኅነት ዚግለጽ እዩ።

---

[1] መዝ 8፡5፣8፡1

[2] ግ.ሓ 17፡27 ረአ

## ኣንቀጽ 1
# ኣብ ብሉይ ኪዳን

2568 ኣብ ብሉይ ኪዳን ዚርከብ ናይ ጸሎት ተገልጾ፡ ኣብ መንጎ'ቲ ውድቀት-ሰብን፡ ምምላሱን ይመጽእ፤ እዚ ማለት ከኣ፡ "ኣዳም ኣበይ ኣሎኻ?... እንታይ ደኣ'ኸ ገበርካ?"[3] ኣብ መንጎ ዚብል፣ ሓዘን ዝመልአ ናይ ኣምላኽ ጸዋዕታ-ቀዳሞት ደቁን፣ "እነሆ ፍቓድካ ክፍጽም መጺኤ ኣሎኹ"[4] ብዚብል ምላሽ፣ ናብ ዓለም ኣብ መንጎ ዚመጽእ ኡንኮ ወዱን ዚርከብ እዩ። ኣብ'ቲ ታሪኻዊ ክዋኔታት ዚፍጸም ምስ ኣምላኽ ዚግበር ርክብ ስለዝኾነ፡ ጸሎት ኣብ ታሪኽን ህላዌን ወድሰብ ዝተጠናነገ እዩ። 410 1736 2738

## ፍጥረት ምንጪ-ጸሎት እዩ

2569 ሕይወት-ጸሎት፡ ብቐዳምነት ካብ'ቲ ፍጡር ነገራት ብምብጋስ ይንቀሳቐስ። እተን ቀዳሞት ትሽዓተ ምዕራፋት ኦሪት ዘፍጥረት፣ ነዚ ምስ ኣምላኽ ዚግበር ርክብ፣ ከም ናይ መጓሰ-ኣቤል በዅሪ ፍረ፡ መሥዋዕቲ፣ ብግዜ ሄኖክ ብዝተገብረ ምህለላ መለኮታዊ ስሙ፣ ከምኡ'ውን "ምስ ኣምላኽ ምምልላስ"[5] ብዚብል ኪገልጽኦ ይርከባ። መሥዋዕቲ-ኖኅ ንእግዚኣብሔር ባህ ኣበሎ። እግዚኣ ብሔር ድማ፡ ቅኑዕን ዘይተኸፋፈለን ልቢ ንዝነበሮ ኖኅ፣ በኣኡ ኣቢሉ'ውን ንመላእ ፍጥረት ባረኸ። ኖኅ ከኣ ከምቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ሄኖክ "ምስ ኣምላኽ ተመላለሰ"።[6] ዳርጋ ኣብ ኩሉ ሃይማኖታት ብዙኃት ጻድቃን ኪነብርዎን ኪገብርዎን ዝተራእዩ፣ እዚ ዝዓይነቱ ጸሎት እዩ። 288 58

ምስ ነፍስወከፍ ሕያው ፍጡር ብዘለዎ ዘይብተኽ ኪዳን፣[7] ኣምላኽ ንሰባት ወትሩ ናብ ጸሎት ምስ ጸወዐ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ግን፡ ጸሎት ኣብ ብሉይ ኪዳን ኪግለጽ ዝተረኽበ ካበ'ቦና ኣብርሃም ኣትሒዙ እዩ። 59

## ቃልተስፋ ኣምላኽን፣ ናይ እምነት ጸሎትን

2570 ኣምላኽ ምስ ጸወዮ፣ ኣብርሃም ብቐጥታ "ናብ'ቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ ከደ"[8]፤ ልቡ ፈጺሙ ኣብ ትሕቲ ቃል-ኣምላኽ ስለዝነበረ፡ ኣብርሃም ተኣዘዘ፤ ከም'ዚ ዝበለ ናይ ልቢ ተጸምዶን፣ ውሳኔታቱ ከም ፍቓድ-ኣምላኽ ዚገብር 145

---

[3] ዘፍ 3፡9፣13
[4] ዕብ 10፡5-7
[5] ዘፍ 4፡4፣ 26፣ዘፍ 5፡24 ረአ
[6] ዘፍ 6፡9፣8፡20-9፡17
[7] ዘፍ 9፡8-16
[8] ዘፍ 12፡4

ኣተናን፣ ንጸሎት ኣድላዪን ኣገዳስን እዩ። እቲ ዚጥቀመሉ ቃላት እውን ግምት ዚወሃቦ፣ ምስኡ ብዘለዎ ርክብ እዩ። ጸሎት-ኣብርሃም ፈለማ ብተግባር ዚግለጽ እዩ፣ ንሱ ስቕታ ጽሙና ዝመረጸ ሰብ ኮይኑ፣ኣብ ነፍስወከፍ መድረኽ-ጕዕዞኡ ንእግዚ ኣብሔር ምሥዋዕ (ታቦት) ኪሓንጽ ተረኺበ። ብቓላት ዚግለጽ ቀዳማይ ጸሎት-ኣብርሃም ዝተጋህደ፣ ጸኒሑ ኣብ'ቲ ዳሕራይ እዋን እዩ። ዘይተፈጸመ ንዝመሰሎ ተስፋታቱ ንምዝኽኻር፣ ናብ ኣምላኽ ዘቕረቦ ዝተጐልበበ ጥርዓን እዩ።[9] ስለ'ዚ ሃለዋት-ጸሎት ካብ ዚገልጽ ገለ መዳዩ ኣብ ፈለማ ይረአ፣ ኣብ ተኣማንነት-ኣምላኽ ንዘሎና እምነት ዘመሳኽሮ ፈተና እዩ።

**2571** ኣብርሃም፡ ኣብ ኣምላኽ ስለዝኣመነን፣ ኣብ ህላዌኡን ምስኡን፣ በቲ
494 ምስኡ ዝተኸሎ ኪዳን ስለዝተመላለሰን፣[10] እዚ ርእሰ-ኣበው ኣብ ድኳኑ
2635 ምሥጢራዊ ጋሻ ንምቕባል በቕዐ። ኣብርሃም ኣብ መምሬ ዘርኣዮ ዘደንቕ መስተንግዶ፣ ነቲ ብዛዕባ ሓቀይና ወዲ-ተስፋኡ ንዝተዋህቦ ብሥራት ዘማዕደወ ነበረ።[11] ድሕር'ዚ፡ እግዚኣብሔር መደቡ ሓደ ግዜ ምስ ገለጸሉ፣ ኣብርሃም ብልቡ ምስ ምሕረት-እግዚኣብሔር ተቓንዩ፣ ብደፋር ትብዓት ምእንቲ ሰባት ከማልድ መደበ።[12]

**2572** ከም ናይ ኣስተናጽሖ-እምነቱ መወዳእታ መድረኽ፣ እቲ "ቃል-ተስፋ
603 ዝተቐበለ" ኣብርሃም፣[13] ኣምላኽ ንዝሃቦ ውላዱ ኪሠውዕ ተሓቲቱ። እምነት ኣብርሃም ኣይደኸመትን። ("ኣምላኽ ባዕሉ ነቲ ዚሓርር መሥዋዕቲ ዚኸውን በጊዕ ኪሓሊ እዩ"።) ከመይሲ "ኣምላኽ ካብ ሙታን ከተንሥኦ ከምዚኽእል ኣሚኑ እዩ"።[14] ምእንት'ዚ ከኣ እቲ ኣቦ-ኣመንቲ ዝኾነ ኣብርሃም፣ ነቲ ኡንኮ ወዱ ምእንቲ ኵልና ኣሕሊፉ ዝሃበ ደኣ'ምበር ንዘይነሓፎ እግዚኣብሔር ኪመስል ይርከብ።[15] ንሰብ ናብ ምስሊ-እግዚኣብሔር ከምዚምለስ፣ ኣእላፋት ኣብ ዘድኅን ኃይሊ ፍቕሪ-ኣምላኽ ከምዚሳተፍ ዚገብሮ ጸሎት እዩ።[16]

**2573** ኣቦ'ቶም ዓሠርተው ክልተ ነገደ-እስራኤል ንዝኾነ ያዕቆብ፡[17]
162 እግዚኣብሔር ቃል-ተስፋኡ ኣሓደሰሉ። ምስ ዓቢይ ኃዉ ኤሳው ቅድሚ ምጥምማቱ፣ ያዕቆብ ምስ ሓደ ምሥጢራዊ ፍጡር ምሉእ ለይቲ ኪቃለስ ኣውጊሕዎ እዩ። እዚ ምሥጢራዊ ፍጡር፣ ስሙ ኪገልጸሉ ኣይደለየን፣ እንተኾነ ኣጋጽባሕ ቅድሚ ምፍልላዮም ንያዕቆብ ባረኾ። ካብ'ዚ ዛንታ'ዚ እቲ መንፈሳዊ

[9] ዘፍ 15፡2 ረአ
[10] ዘፍ 15፡6፣17፡1 ረአ.
[11] ዘፍ 18፡1-15፣ሉቃ 1፡26-38 ረአ
[12] ዘፍ 18፡16-33 ረአ
[13] ዕብ 11፡17
[14] ዘፍ 22፡8፣ዕብ 11፡19
[15] ሮሜ 8፡32
[16] ሮሜ 8፡16-21
[17] ዘፍ 28፡10-22 ረአ

ትውፊት ዝዓቀቦ ኣምሳል ኣሎ፤ ጸሎት ከም ናይ እምነት ውግእ፣ ከምኡ'ውን ናይ ጽንዓትን ትግሃትን ዓወት ኮይኑ ይምሰል።[18]

## ሙሴን፣ ጸሎት'ቲ መንጎይናን(መራኺቢ)

2574 እቲ ቃል-ተስፋ ኪፍጸም ብዝጀመረ (ፋሲካ-ምስግጋር፣ ፀኣት(ምውፃእ)፣ ናይ ሕጊ ህያብ፣ ናይ ኪዳን ምጽዳቕ)፣ እቲ ጸሎተ-ሙሴ ናይ ጸሎተ-ኣማልድነት ዝበለጸ ኣብነት ኪኸውን ተረኺበ፤ እዚ ድማ "ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ መተዓረቒ (መራኺቢ) ሓደ እዩ፣ ንሱ ኸኣ እቲ ሰብ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ'ዩ"[19] ኣብ ዚብል ኪፍጸም ዘለዎ እዩ። 62

2575 ኣብዚ'ውን እንተኾነ እቲ ተበግሶ ናይ ኣምላኽ እዩ። ካብ ውሽጥ'ታ እትነድድ ቍጥቋጥ (ዕፀጻጦስ) ንሙሴ ኪጽውዖ ይርከብ።[20] እዚ ክውነት'ዚ፡ ኣብ መንፈሳዊ ትውፊት ኣይሁድን ክርስትያንን፣ ጥንታውን መሠረታውን ኣምሳል ጸሎት ኮይኑ ይነብር ኣሎ። ኣገልጋሊኡ ምእንቲ ኪኸውን "ኣምላኽ-ኣብርሃምን ይስሓቕን ያዕቆብን" ንሙሴ ኪጽውዖ ዝተረኽበ፣ ሰባት ብሕይወት ኪነብሩ ዚደሊ፣ ሕያው ኣምላኽ ስለዝኾነ እዩ። ንበይኑ ወይ ከኣ ብዘይድላዮም ዚገብሮ'ኳ እንተዘይኮነ፣ ኣምላኽ ርእሱ ንሰባት ዚገልጽ ምእንቲ ከድኅኖም ኢሉ እዩ፣ ስለ'ዚ ከኣ ንሙሴ ልኡኹ ኪኸውን ኣብ'ቲ ግብረ-ምሕረቱን ድኅነቱን ንኪኅብር ይጽውዖ። ኣብ'ዚ ተልእኮቱ (ናይ ሙሴ) ገለ ዓይነት መለኮታዊ ሕቶ ወይ ልመና ኣሎ፤ ሙሴ ንድላዩ ምስ'ቲ ናይ መድኃኒኡ ኣምላኽ ድላይ ኪቓንዮ (ከሰንዮ) ዝተረኽበ ድሕሪ ነዊሕ ክትዕ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ'ዚ ኣምላኽ ሓሳባቱን መደባቱን ዝገለጸሉ ምውሳእ፣ ሙሴ ብኸመይ ኪጽሊ ከምዘለዎ ተማሂሩ እዩ፤ ከድሓርሕር ይፍትን፣ ምኽንያታት ይፈጥር፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ የሓትት፤ ነዚ ሕቶኡ ኣብ ዚህቦ ምላሽ ከኣ እግዚኣብሔር፡ ነቲ ብኃያልን ዘደንቕን ተግባራቱ ኪረጋገጽ ዘለዎ፣ ኪንገር ዘይከኣል ስሙ ገለጸሉ። 205

2576 ሰብ ምስ ፈታዊኡ ከምዚዛረብ፣ እግዚኣብሔር ድማ ምስ ሙሴ ገጽ ንገጽ ይዛረብ ነበረ"።[21] እዚ ጸሎት-ሙሴ፡ ኣገልጋል-ኣምላኽ ኣብ ተልእኮቱ እሙን ኮይኑ ናይ ዝጸንዓሉ ተመስጠኣዊ ጸሎት ዓይነተይና መግለጺ እዩ። ሙሴ ብዙኅ ግዜ፣ እሞ ንነዊሕ እዋን ምስ ኣምላኽ ይዋሳእ ነበረ፤ ናብ'ቲ እምባ ብምድያብ ከኣ ንኣምላኽ ኪሰምዕን፡ ኪምህለልን፣ ናብ'ቲ ሕዝቢ ወሪዱ'ውን መምርሒኦም ዚኸውን ቃላት-ኣምላኹ ይደግመሎም ነበረ። ሙሴ "ኣብ ኩሉ ሕዝበይ እስራኤል እሙን መራሒ እዩ። ምስኡ ኣፍ ንኣፍ እየ ዝዛረብ፣ ብኅቡእ 555

---

[18] ዘፍ 32፡24-30፣ሉቃ 18፡1-8 ረአ
[19] 1ጢሞ 2፡5
[20] ዘፀ 3፡1-10
[21] ዘፀ 33፡11

ዘይኮነ፣ ብግልጺ እየ ዝዛረብ"፣ ከመይሲ "ሙሴ ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ካብ ዘሎ ሰብ ዘበለ ትሕትና ዝመልአ ሰብ ነበረ"።[22]

**2577** እሙን፣ ንቍጥዓ ደንጓዪ፣ ምስ'ቲ በዓል ዓቢይ ፍቕርን ምሕረትን[23]
210 ኣምላኽ ካብ ዘለዎ ቕርበት፣ ሙሴ ንኣማላዲ ጸሎቱ ዚኸውን ኃይልን ቈራጽነትን
2635 ይረክብ። ምእንቲ ርእሱ ዘይኮነስ፣ ምእንት'ቲ እግዚኣብሔር ርስቱ ዝገበሮ
214 ሕዝቢ ጸለየ። ምስ ኣማሌቃውያን ኣብ ዘካየድዎ ኲናት፣ ሙሴ ምእንታኣቶም
ኣማለደ፣ ሚርያም ተፈዊሳ ምእንቲ ክትሓዊ ድማ ኪጽልየላ ተረኸበ።[24] እንተኾነ፡
እቲ ቓንድስ፡ ሕዝቢ ምስ ከሓደ ከድሕኖ ኢሉ ሙሴ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ "ኣብ
መንቀራቕሮ ቆይሙ" ምጽላዩ እዩ።[25] ኣማልድነት ንርእሱ ሓደ ምሥጢራዊ
ዘይረአ ውግእ ስለዝኾነ፣ እቲ ንጸሎቱ ዘንቀሳቕሰ ሕሳባት፡ ኣብ መንጎ ሕዝቢ
ኣይሁድን፣ ኣብ ቤተክርስትያንን ንዚህልዉ ዓበይቲ ኣማለድቲ፣ ድፍረትን
ትብዓትን የሕድረሎም። እግዚኣብሔር ፍቕሪ እዩ፤ ስለ'ዚ ከኣ ሓቀይናን
እሙንን እዩ፤ ንርእሱ ኣይጻረርን፤ እቲ ክብሩን ዕቤቱን ስለዚትንከፍ፣ ከምኡ
እውን ነቲ ብስሙ ዝተጸወዐ ሕዝቢ ኪሓድጎ ስለዘይክእል፣ ነቲ ዘደንቕን
መስተንክርን ተግባራቱ ኪዝክር ኣለዎ።

## ዳዊትን፡ ከም ንጉሥ ዘቕረቦ ጸሎትን

**2578** ናይ ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ጸሎት፣ ኣብ ጽላል ማሕደር-ኣምላኽ፣ ማለት ቅድም ኣብ ትሕቲ ታቦተ ኪዳን፣ ደሓር ድማ ኣብ ቤተመቕደስ ዝዓንበበ እዩ። ፈለማ እቶም መራሕቲ-ሕዝቢ፣ ጓሶት-ሕዝብን ነቢያትን፡ ንኺጽልዩ ኪምህርዎም ተረኸቡ። እቲ ንኡስ ቈልዓ ሳሙኤል "ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከመይ ኢሉ ከምዚቐውም" ዝተማህሮ ካብ ሓና ኣዲኡ፣ "ኦ ጐይታ! ኣገልጋሊኻ ይሰምዕ ኣሎ'ሞ ተዛረብ!"[26] ብምባል ንቃልኣምላኽ ጽን ኪብል'ውን ብካህን ኤሊ ዝተነግሮ ኪኸውን ኣለዎ። ጸኒሑ ደሓር ሳዕቤን ኣማልድነትን ዋጋኡን እንታይ ከምዝኾነ ኪርዳእ እዩ። "ኣነስ እታ ጽብቕትን ቅንዕትን መንገዲ ክምህረኩም እየ፤ ምእንታኻትኩም ምልማን ብምቍራጽ ከኣ ንእግዚኣብሔር ካብ ምብዳል የድኅነኒ"።[27]

**2579** "ከም መደብ ኣምላኽ" ምእንቲ ሕዝቡን ብስሞምን ዚጽሊ ዳዊት ጓሳ፣
709 ንሱ መዳርግቲ ዘይብሉ፣ ብፍሉይ ዚጥመት ንጉሥ እዩ። ንፍቓድ-ኣምላኽ
436 ተገዛእነቱ፣ ውዳሴኡ፣ ንስሓኡ፡ ኩሉ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ናይ ጸሎት ኣብነት
እዩ። ጸሎቱ፣ እቲ ብኣምላኽ ናይ ዝተቐብአ ጸሎት፣ ንመለኮታዊ ቃል-ተስፋ
እሙን ተጸምዶኡ ዜርእየሉ፣ ንብሕቱ ንጉሥን ጐይታን ንዝኾነ እግዚኣብሔር

---

[22] ዘኍ 12፡3፣ 7-8
[23] ዘፀ 34፡6 ረአ
[24] ዘፀ 17፡8-12፣ዘኍ 12፡13-14 ረአ
[25] መዝ 106፡23፣ዘፀ 32፡1-34፡9 ረአ
[26] 1 ሳሙ 3፡9-10፣1፡9-18 ረአ
[27] 1 ሳሙ 12፡23

ዘለዎ ፍቕሩን፣ ታሕጓስ ዝመልአ ተኣማንነቱን ዚገልጸሉ እዩ።[28] ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ብመዝሙራት ዚጸሊ ዳዊት፡ ናይ ጸሎተ-ኣይሁድን ጸሎተ-ክርስትናን ቀዳማይ ነቢይ እዩ። ሓቀይና መሲሕን ወዲ ዳዊትን ናይ ዝኾነ ኢየሱስ ጸሎቱ፡ ንትርጓሜ ጸሎት ይገልጸን ምልኣት ይህቦን።

2580 ዳዊት ኪሓንጾ ዝሓለነ ቤትጸሎት፡ ቤተመቅደስ ኢየሩሳሌም፡ ናይ ወዱ 583
ሰሎሞን ስራሕ ኪኸውን ተመደበሉ። እቲ ኣብ ጽንብል ቤተመቕደስ ዝተጸለየ ጸሎት፣ ኣብ ተስፋ-ኣምላኽን ኪዳኑን፡ ኣብ መንካ ሕዝቡ ኣብ ዝነበረ ንጡፍ ህላዌኡ ዝተመርኰሰ፣ ነቲ ናይ ፀኣት ኃያል ተግባራቱ ዘዘኻኽር ነበረ።[29] እቲ ንጉሥ ኢዱ ንሰማይ ገጹ ኣልዒሉ፣ ምእንቲ ርእሱን፡ ምእንቲ ሕዝቡን፣ ምእንት'ቶም ጋና ዚመጽኡ ወለዶታትን፣ ንኀድገት-ኃጢኣቶምን፣ንዕለታዊ ግድነቶምን፣ እግዚኣብሔር እቲ ሓነተይናን ሓንኮን ኣምላኽ ምዃኑ ኣሕዛብ ኪፈልጡን፣ ልቢ-ሕዝቡ ኸኣ ብምልኣት ነኣኡ ዝተወፈየ ንኪኸውን ንኣምላኽ ለመነ።

# ኤልያስ፣ ነቢያትን ንስሓ-ልብን

2581 ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ጸሎት ዚመሃረሉ ቦታ፡ ቤተመቕደስ እዩ፤ 1150
ንግደታት፣ በዓላት፣ መሥዋዕትታት፣ መሥዋዕተ-ሠርክ፣ ዕጣን፣ ኅብስተ-ቍርባን እዚ ኹሉ ናይ'ቲ ኣዝዩ ልዑልን ቀረባን ኣምላኽና፣ ክብሩን ቅድስናኡን ምልክት እዩ፣ ንጸሎት ዘለዓዕለናን፣ ናብኡ ዚወስደናን መንገዲ ከኣ እዩ። እንተኾነ ሥርዓትነት (Ritualism) ብዚበዝሕ ግዳማዊ ኣምልኾ ጥራሕ ከተባብዕ ተረኺበ። ብወገን እምነትን ንስሓ-ልብን ዝመጽአ፡ እቲ ሕዝቢ መዕበያን ኵስኰሳን የድልዮ ነበረ። ቅድሚ ፍልሰተ-ባቢሎን ኮነ ድሕሪኡ ናይ ዝነበሩ ነቢያት ተልእኮት ድማ እዚ እዩ።

2582 "ናብ እግዚኣብሔር ንዚመጽኡን፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ-ያዕቆብ ንዚቐርቡን ወለዶ"[30]-"ነቢያት" ኣቦኦም ኤልያስ እዩ። እዚ ኤሊያሁ ወይ ኤልያስ ዚብል ስሙ ድማ "እግዚኣብሔር ኣምላኸይ እዩ" ዚብል፣ ኣብ እምባ ቀርሜሎስ ንዝጸለዮ ጸሎት ምላሽ ንምሃብ፣ ሕዝቢ ንዘቕረቦ ኣውያት ኣቐዲሙ ዚነግር እዩ።[31] ቅዱስ ያዕቆብ'ውን ንጸሎት እንከተባብዖና ንኤልያስ ይጠቅስ። "ጸሎት ጻድቕ ትኽእልን ተስልጥን እያ።"[32]

2583 ኣብ ሩባ ከሪት ብዝተቐመጠሉ እዋን፣ ኤልያስ ምሕረት ድሕሪ ተማሂሩ፣ ነታ ናይ ሰራጵታ ማእምን (መበለት) ኣብ ቃል-ኣምላኽ ንኽትኣምን

[28] 2 ሳሙ 7:18-29 ረአ
[29] 1 ነገ 8:10-61
[30] መዝ 24:6
[31] 1 ነገ 18:39
[32] ያዕ 5:16b-18

ኪምህራ፣ ንእምነታ ድማ በቲ ንጡፍ ጸሎቱ ከጽንዖ ይርከብ፤ ስለ'ዚ ከኣ፡ ኣምላኽ ንወድ'ታ መበለት ካብ ሞት ኣተንሥአ።[33]

ኣብ እምባ ቀርሜሎስ ዝተፈጸመ መሥዋዕቲ ንእምነት ሕዝቢ-
696 እግዚኣብሔር ወሳኒ ፈተነ ነበረ። "መልሸለይ፡ አ! ጐይታ መልሸለይ!" ንዚብል ናይ ኤልያስ ልመና ብዝተዋህበ ምላሽ፣ ኣብ ናይ ግዜ ሠርክ (ምሸት) መሥዋዕቲ እቲ ሓዊ-እግዚኣብሔር ነቲ መሥዋዕት ህምኹ ኣበሎ። ናይ ምሥራቕ ሥርዓታት-ኣምልኾ፡ ነዚ ናይ ኤልያስ ልመና፡ ኣብ'ቲ ናይ መሥዋዕተ ቅዳሴ ምህለላ (ጽዋዔ) መንፈስ ቅዱስ (Epiclesis) ኪደግሞ ይርከብ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፣ ናብ ምድረ በዳ፡ ናብ'ቲ ሕያውን ኡነተይናን
555 ኣምላኽ ርእሱ ንሕዝቡ ዝገለጸሉ ቦታ ዚኸይድ መንገዲ ብምሓዝ፣ ልክዕ ከም'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ሙሴ፣ ኤልያስ ድማ እቲ ምሥጢራዊ ህላዌ-ኣምላኽ ክሳብ ዚሓልፍ "ኣብ በዓቲ-ከውሒ" ተሓብኤ።[34] እንተኾነ፡ ሙሴን ኤልያስን ነቲ ሃሰስ ዚብልዎ ዝነበሩ ኣምላኽ ኅቡእ ገጹ ኪርእዩ ዝኸኣሉ፣ ኣብ'ታ ናይ ምልዋጥ-ትርኢቱ እምባ (ደብረ ታቦር) ጥራሕ እዩ። "ክብሪ-እግዚኣብሔር ዘንጸባርቕ ብርሃን-ፍልጠት ዚበርህ"፣ ኣብ'ቲ ተሰቒሉ ሞይቱ ዝተንሥአ፣ "ኣብ ገጽ-ክርስቶስ እዩ"።[35]

2584 "ሓደ ብሓደ" በብውልቆም ምስ ኣምላኽ ካብ ዝገበርዎ ርክቦም፣ ነቢያት
2709 ንተልእኮቶም ዚሕግዞም ብርሃንን ኃይልን ይረኽቡ። ጸሎቶም ድማ፡ ካብ'ዛ ፈታኒትን ዘይትእመን ጠላሚትን ዓለም ንምኽዋል ዚግበር ህድማ ዘይኮነስ፣ ንቃል-ኣምላኽ ጽን ኢልካ ምስማዕ እዩ። ገሊኡ ግዜያት ጸሎታቶም ምጕትን ክትዓትን ይመስል። ግና ኸኣ ወትሩ ግዜ ጐይታ-ታሪኽ ናይ ዝኾነ፣ መድኃኒና እግዚኣብሔር ረድኤት ዚጽበን፣ ስራሕ ኣምላኽ ዘጣጥሕን ሰነድ-ልመና" እዩ።[36]

## መጽሓፈ መዝሙር፣ ጸሎተ ምእመናን

2585 ካብ ዘመነ ዳዊት ክሳብ ምጽኣት-መሢሕ ኣብ ዘሎ እዋን ዝነበረ ናይ
1093 ቅዱሳት መጻሕፍቲ ወገናት፣ ምእንቲ ርእሰኻ ኮነ ምእንቲ ካልእ ናይ ዚግበር ጸሎት ዕምቈቱ ዚገልጽ እዩ።[37] ምእንት'ዚ ኸኣ መዝሙራት በብቐኍብ ኣብ ሓሙሽተ መጻሕፍቲ-መዝሙር(ውዳሴ)፣ ኣብ'ቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ዋጽእ መጽሓፈ ጸሎት ተጠርነፈ።

2586 መዝሙራት እምበኣር፣ ንጸሎት ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ቀንዲ መጋቢኡን
1177 መግለጺኡን ኮይኑ ዝተረኽበ፣ ኣብ ኢየሩሳሌም፣ ኣብ ዓበይቲ በዓላትን፣ ነፍስወከፍ

[33] 1 ነገ 17፡7-24 ረአ
[34] 1 ነገ 19፡1-14፣ ዘፀ 33፡19-23 ረአ
[35] 2 ቆሮ 4፡6፣ሉቃ 9፡30-35 ረአ
[36] ኣሞ 7፡2፣ 5፣ኢሳ 6፡5፣8፣11፣ኤር 1፡6፣15፡15-18፣20፡7-18 ረአ
[37] እዝ 9፡6-15፣ነህ 1፡4-11፣ዮና 2፡3-10፣ጦቢ 3፡11-16፣ዮዲ 9፡2-14

*ቀዳሚት ሰንበትን፣ ኣብ ምኵራባት ዝተኣከበ እዩ። መንፈስ ጸሎቱ፡ ንውልቅን ንማኅበርን ዚርኢ ዘይነጻጸል እዩ። ነቶም በኣኡ ዚጽልዩን ንዅሎም ሰባትን ከኣ ይጥርንፍ። እዚ መዛሙር'ዚ ካብ'ተን ኣብ ቅድስት ሃገር ዚርከባ ማኅበራተ-ምእመናን፣ ካብ'ቶም ኣብ ፈቖዶኡ ዝተዘርግሑ ወገናትን*(Diaspora) *ዝተረኽበን፣ ንኹሉ ፍጥረት ዚሓቍፍን እዩ። እቲ ጸሎታቱ ንዝሓለፈ ድኅነታዊ ተግባራት ይዝክር፣ ናብ'ቲ ዚመጽእ ገጹ ክሳብ'ቲ መፈጸምታ-ታሪኽ'ውን ከይተረፈ ይውንጨፍ። ድሮ ብኣምላኽ ንዝተሓለወ ቃል-ተስፉ ይዝክርን የኽብርን፣ ብናይ መወዳእታ መልክዑ ተፍጻሜት ንዚህብ መሢሕ፣ ዘለዎ ትጽቢቱ ድማ ይገልጽ። እዚ መዝሙራት'ዚ ብኽርስቶስ ኪጽለ ኸሎን፣ ኣብኡን በኣኡን ተፍጻሜት እንኪረክብን፣ ናይ ጸሎት-ቤተክርስትያን ቀንዲ ኣካል ኮይኑ ይነብር።*[38]

**2587** *ቃል-ኣምላኽ ጸሎት ወድሰብ ኮይኑ ዝተረኽበሉ፣ ኣብ መጽሓፈ መዝሙራት ጥራሕ እዩ። ኣብ ካልእ ናይ ብሉይ ኪዳን መጻሕፍቲ ዘሎ “ቃላት ንስራሕ-ኣምላኽ ይገልጽን፣ ነቲ ዝሓዞ ምሥጢር ድማ ኣጸቢቑ የብርሆን”።*[39] *ናይ መጽሓፈ መዝሙር ቃላት ግን፡ ንኣምላኽ ዝተዘመረ ኮይኑ፣ ነዚ ዘድኅን ተግባራት-ኣምላኽ ይገልጾን፣ ብመልክዕ ኣዋጅ የረጋግጾን፤ ነቲ ቃል-ኣምላኽ ኮነ ነቲ ምላሽ-ሰብ ዘስተንፈሰን ዘንቀሳቐሰን ድማ እቲ ሓደ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ክልቲኡ ኣብ ክርስቶስ ኪወሃሃድ ይርከብ። ብመንፅር-ክርስቶስ ዚረአ መዛሙር፣ ወትሩ ምጽላይ ኪምህረና ዚነብር እዩ።* 2641

**2588** *ኣብ መጽሓፈ መዝሙራት ዚርከብ በብዓይነቱ መልክዕ-ጸሎት፣ ኣብ'ዚ ዘለዎ ደረጃ ዝበጽሐ፣ በብቕኑብ ኣብ ናይ ቤተመቕደስ ግብረ-ኣምልኾን፡ ኣብ ልቢ ነፍስወከፍ ሰብን ብዝረኸቦ መድረኽ ሓሊፉ እዩ። ዝማሬ ይኹን፣ ጸሎተ ሰቆቃው*(*ሓዘን*) *ወይ ከኣ ጸሎተ-ኣኰቴት*(*ምስጋና*)*፣ ውልቃዊ ይኹን ማኅበራዊ፣ ንጉሣዊ መዝሙር ይኹን፣ መዝሙር ንግደት ወይ መዛሙር ጥበብ* (*ኣስተንትኖ*)*፣ ወትሩ ግዜ እዚ መዛሙር'ዚ ኣብ ታሪኽ-ሕዝቢ፡ ናይ ኣምላኽ መስተንክራዊ ተግባራት ዜርኢ መስትያት፣ ከምኡ'ውን ናይ'ቲ ዘማራይ ሰብ ናይ ተመክሮኡን መነባብሮኡን ነጸብራቕ ኮይኑ ይርከብ። ሓደ መዝሙር ንዝተወሰነ ናይ ታሪኽ ክውንነት ዜንጸባርቕ'ኳ እንተኾነ፡ ወትሩ ገርህይናን ቀጥተይናን መልክዕ ዝሓዘ ስለዝኾነ፣ ኣብ ኩሉ እዋናትን ኵነታትን ብዚርከቡ ሰባት፣ ብሓቅነት ኪዝመርን ኪጽለን ዚከኣል ጸሎት እዩ።*

**2589** *ኣብ መላእ መዝሙራት እናናሳዕ ዚደጋገም ዓይነተይና ጠባያት ኣሎ፡- ትሑትን ገርህን፡ ጕስጕሱ ናይ ዚወጽእ ጸሎት ኣተና፣ በቲ ኣብ ፍጥረቱ ዘሎ ሠናያት ኣቢልካ ንኣምላኽ ናይ ምርካብ ባህጊ፣ ንእግዚኣብሔር ካብ ዘለዎ ፍቕሪ ዝተበገሠ፡ ብርክት ንዝበሉ ተፃባእትን ፈተናታትን ኣብ ዝተቓልዓሉ ሃለዋት ኮይኑ፣ ኣብ'ዚ ፍቕሩ ብምጽናዕ፣ ንፍቓዱ ተገዚኡ፡ እቲ እሙን ኣምላኽ ንዚፍጽሞ* 304

[38] Cf. GILH, nn. 100-109
[39] *ቃል-ኣምላኽ* DV 2

*ጽቡቕ ነገር ዚጽበ ምእመን ዚርከበሉ ጽንኩር ሃለዋት እዩ። ጸሎት መዝሙራት ወትሩ መንፈስ ውዳሴ ዘይተጋደፎ እዩ፤ ስለ'ዚ እዩ ኸኣ እዚ ጥርኑፍ መዝሙራት "ውዳሴ" ወይ "ስብሓታት" ኪበሃል ዝተረኽበ። ንናይ ጉባኤ ምእመናን ግብረ-ኣምልኾ ተባሂሉ ዝተኣከበ መጽሓፈ-መዝሙር፣ በቲ ሓደ ወገን ንጸሎት ዚጽውዕ፣ በቲ ካልእ ወገን ድማ ነቲ መጸዋዕታ ምላሽ ዚህብ እዩ፣ -"ሃልሉ ያህ" (ሃሌሉያ) "ንእግዚኣብሔር ወድስዎ"'።*

> *ካብ መዝሙር ንላዕሊ ባህ ዘብልስ እንታይ ኮን ይህሉ? ዳዊት ብዚግባእ ገሊጽዎ ኣሎ፤ "መዝሙር ሠናይ እዩ'ሞ ንእግዚኣብሔር ወድስዎ፤ ንኣምላኽና ዚቐርብ ውዳሴ፡ ብደስታን ብኽብርን ይኹን"። እወ፣ መዝሙር ኣብ ከናፍር-ሕዝቢ ዚርከብ ምስጋና (ቡራኬ) እዩ፤ ምስጋና-ኣምላኽ ናይ'ቲ ጉባኤ-ምእመናን ኣኽብሮት፣ ሓፈሻዊ ዓጀብ፣ ምእንቲ ኹሉ ዚዛረብ ቃል፣ ድምጺ ቤተክርስትያን፣ ብመልክዕ መዝሙር ዚግለጽ ተኣምኖተ-ሃይማኖት እዩ።"[40]*

---

## ብሓጺር

2590 *"ጸሎት ኪበሃል ከሎ፣ ልብኻን ሓሳብካን ናብ ኣምላኽ ምልዓል፣ ወይ ከኣ ሠናይ ነገራት ካብ እግዚኣብሔር ምልማን እዩ"።* (**ቅ.ዮሓንስ ዘደማስቆ፡** De fide orth. 3,24: PG 94, 1089c)

2591 *ኣምላኽ ድማ፡ ንነፍስወከፍ ሰብ ናብ'ዚ ምስኡ ዚግበር ምሥጢራዊ ርክብ ከይተሓለለ ይጽውዖ። ኣብ መላእ ታሪኽ ድኅነት፣ ጸሎት ነቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዚግበር ሓድሕዳዊ ርክብ ወይ ጸውዒት ዚገልጽ እዩ።*

2592 *ናይ ኣብርሃምን ያዕቆብን ጸሎት ከም ናይ እምነት ውግእ፣ እሞ ኸኣ ኣብ ናይ ኣምላኽ እሙንነት ብምትስፋው ዚመሳኸር፣ ከምኡ'ውን ብጽንዓት ብዝተተስፈወ ርግጽነት-ዓወት ዚግለጽ እዩ።*

2593 *ጸሎተ-ሙሴ፣ ሕያው ኣምላኽ ንድኅነት-ሕዝቡ ኪብል ንዝገበሮ ተበግሖ ዝተዋህበ ምላሽ እዩ። ኡንኮ መተዓረቒ (መንጎይና) ንዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ'ቲ ኣማላዲ ጸሎቱ ጸላሎት እዩ።*

2594 *ጸሎት ሕዝቢ-እግዚኣብሔር፣ ኣብ ጽላል ማሕደር-ህላዌ-ኣምላኽ ኣብ ምድሪ፣ ማለት ኣብ ትሕቲ ታቦተ ኪዳንን፡ ቤተመቕደስን፣ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ጓሶቱ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ትሕቲ ንጉሥ ዳዊትን ነቢያትን ዝዓንበበ ጸሎት እዩ።*

---

[40] **ቅ.ኣምብሮዝዩስ** In psal. 1 enarr. 1, 9፡PL 14, 924፣LH, Saturday, wk 10, OR

2595 ነቢያት፣ እቲ ሕዝቢ ልባዊ ንስሓ ንኺፍጽም መዓድዎ። ከም ኤልያስ ብቅንኣትን ባህግን፣ ገጽ-እግዚኣብሔር ሃሰስ እናበሉ ከኣ ምእንቲ ሕዝቢ ኣማለዱ።

2596 መዝሙራት፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዚርከብ ዋጽእ ዝኾነ ጸሎት እዩ። ክልተ ዘይነጻጸል መልክዓት ዝሓዘ፣ ማለት ውልቃውን ማኅበራውን እዩ። ድሮ ንዝተፈጸመ ተስፋታት-ኣምላኽ ብምዝኽኻርን ንምጽኣት መሲሕ ኣማዕድዩ ብምጥማትን፣ ናብ ኩሉ (መዳያት) ሽነኻት ታሪኽ ኪዝርጋሕ ይርከብ።

2597 ብኽርስቶስ ዚጽለን፣ ኣብኡ ተፍጻሜቱ ዚረክብን መዛሙር ናይ ጸሎት-ቤተክርስትያን ነባር ኣካል ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ኩሉ ሃለዋትን ንብረትን፣ ኣብ ኩሉ እዋናትን ንዘለዉ ዚሰማማዕ እዩ።

---

## ኣንቀጽ 2
# ኣብ ምልኣት ግዜ

2598 ኵነታት-ጸሎት ብምልኣት ዚግለጸልና፣ ኣብ'ቲ ሥጋ ዝለበሰን ኣብ መንጎና ዝሰፈረን ቃሉ እዩ። መሰኻኽሩ ኣብ ወንጌል ብዘቕርቡልና መሠረት፣ ንጸሎት ንኽንርዳእ ምጽዓር ማለት፣ ልክዕ ከም'ቲ ሙሴ ኣብ እትነድድ ቍጥቋጥ (ዕፀ-ጳጦስ) ኪቐርብ ከሎ ዝነበሮ ኣተና ሒዝና፣ ናብ ኢየሱስ ምቕራብ ማለት እዩ። ቅድም ብጸሎት ምስትንታኑ፣ ድሕሪኡ ድማ ጸሎትና ብኸመይ ከምዚሰምዕ ንምፍላጥ፣ ብኸመይ ከምንጽሊ ንኺምህረና ምስማዑ የድሊ።

### ኢየሱስ ይጽሊ ነበረ

2599 እቲ ካብ ድንግል ዝተወልደ ወልደ እግዚኣብሔር በቲ ሰብኣዊ ልቡ 584
ምጽላይ ለመደ፡ ወይ ተማህረ። በቲ ኃያል ኣምላኽ ንዝተፈጸመ "ዓበይቲ ነገራት" 534
ኩሉ ኣብ ልባ ተዓቝሮን ትዝክሮን ተስተንትኖን ካብ ዝነበረት ኣዲኡ ኸኣ፣ ነቲ ሥርዓታት-ጸሎት ተማህሮ።[41] ኣብ ምኵራብ ናዝሬትን ቤተመቕደስ ኢየሩሳሌምን፣ ብናይ ሕዝቡ ኣወዳድቓ-ቃላትን ቃናን ምጽላይ ተማህረ። እንተኾነ ወዲ ዓሥርተው ክልተ ዓመት ከሎ "ኣብ ቤት-ኣቦይ ክህሉ ይግብኣኒ"[42] ኪብል ከምዝገለጸ፣ እዚ ጸሎቱ፡ ካብ ሓደ ስቱርን ሥዉርን ዓይኒማይ ዚፍልፍል ኮይኑ ይረአ። ኣብ'ዚ ኣብ ምልኣት-ግዜ እምበኣር እቲ ናይ ጸሎት ሕዳሴ ኪግለጽ ይጅምር፤ እግዚኣብሔር-ኣቦ ካብ'ቶም ደቂ ዚጽበዮ፡ ውሉዳዊ ጸሎት፣

---

[41] ሉቃ 1፡49፣2፡19፣2፡51 ረአ
[42] ሉቃ 2፡49

በቲ ኡንኮ ወዱ፡ ብትስብእቱን፣ ምስ ኵሎምን ምእንቲ ኵሎምን ሰባት ኪንበርን ኪንጸርን ዘለዎ ናይ መወዳእታ ጸሎቱ እዩ።

**2600** ብቅዱስ ሉቃስ ዝተጻሕፈ ወንጌል ኣጸቢቑ ዘነጽሮ፣ ንስራሕ መንፈስ
535:554 ቅዱስን፣ ኣብ ስብከታዊ ሕይወት-ክርስቶስ ንጸሎት ዚወሃቦ ቦታን እዩ። ናይ
612 ተልእኾኡ ወሳኒ ዝኾነ ተግባራት ቅድሚ ምፍጻሙ፡ ኢየሱስ ኪጽሊ ይርከብ፣ -
858 ብግዜ ጥምቀቱን፣ ናይ ደብረታቦር ምልዋጥ ትርኢቱን፣ ናይ ኣቦኡ ምስክርነት
443 ቅድሚ ምምጻኡ፣ ከምኡ'ውን ንናይ ኣቦኡ መደብ ፍቕሪ ብሥቓያቱ[43]
ተፍጻሜት ቅድሚ ምሃቡ ይጽሊ። ንተልእኾ ሓዋርያቱ ዚግድስ ወሳኒ መደባት ቅድሚ ምፍጻሙ'ውን ይጽሊ፣ ነቶም ዓሠርተው ክልተ ዝሓረየሎም ዝጸወዓሎም፣ "ናይ እግዚኣብሔር ቅቡእ" ኪብል ጴጥሮስ ብዛዕባኡ ቅድሚ ምእማኑ፣ ከምኡ'ውን ናይ'ዚ መራሒ ሓዋርያት እምነቱ ብግዜ ፈተና ከይትናወጽ ዝገበሮ ጸሎት ኣሎ።[44] እግዚኣብሔር-ኣቦ ካብኡ ንዚጽበዮ ተግባራት-ድኅነት ኣብ ምፍጻም ዝጸለዮ ጸሎት፣ ነቲ ሰብኣዊ ድላዩ ናብ'ቲ ፍቕሪ ዝዓዘዞ ድላይ-ኣቦኡ ብትሕትናን ብእምነትን ከምዘወፈዮ ዘርኢ እዩ።

**2601** "ኢየሱስ ኣብ ሓንቲ ስፍራ ኪጽሊ ጸኒሑ ምስ ወድአ፣ ሓደ ካብ
2765 ደቀመዛሙርቱ፣ "ጐይታይ! ከምቲ ዮሓንስ ንደቀመዛሙርቱ ዝመሃሮም ጸሎት
መሃረና" በሎ።[45] መምህሩ ኪጽሊ ዝረኣየ ተኸታሊ ክርስቶስ ኪጽሊ ደለየ። ናይ ጸሎት መምህር ንዝኾነ ወልድ ብምጥማትን (ብምስትንታን) ምስማዕን፣ እቶም ውሉድ ነቦኣም ብኸመይ ከምዚጽልዩ ይመሃሩ።

**2602** ኢየሱስ ብዙሕ ግዜ ፍልይ ኢሉ፣ ኣብ ጽሙና፣ ኣብ ሓደ እምባ፣
616 ብዝበለጸ ከኣ ብለይቲ ይጽሊ ነበረ።[46] ኣብ'ቲ ሥጋዊኡ ንመላእ ዓሌትሰብ
ስለዝለበሶ፣ ንኵሎም ሰባት ኣብ'ዚ ጸሎቱ ይጽንብሮም፣ ርእሱ ናብ ኣቦኡ ኣብ ዘወፈየሉ ሰዓት ድማ ምስኡ የወፍዮም። እቲ ሥጋ ዝለበሰ (ዝኾነ) ቃል፣ ኢየሱስ ብቕንዱ፡ በቲ ሰብኣዊ ጸሎቱ ኣብ'ቲ ኹሉ "ኣኀዊቱ" ዚገብርዎ ዘበለ ይሳተፍ። ሓራ ምእንቲ ከውፅኦም ኣብ'ቲ ድኻሞም ይተሓባበሮም።[47] እግዚኣብሔር-ኣቦ ዝለኣኾ ድማ ነዚ ኢሉ እዩ። ቃላቱን ተግባራቱን ኩሉ፣ ናይ'ቲ ብስቱር ዚግበር ጸሎቱ ርኡይ መግለጺ እዩ።

**2603** ብግዜ ስብከታዊ ኣገልግሎቱን ሕይወቱን ብኽርስቶስ ዝተወፈያ፡
2673 ግልጺ ዝኾና ክልተ ጸሎታት፡ ወንጌላውያን ጽሒፎምልና ኣለዉ። ነፍስወከፍ
2546 ጸሎት ብምስጋና ትፍልም። ኣብ'ታ ቐዳመይቲ፣ ኢየሱስ ብዛዕባ እግዚኣብሔር-
494 ኣቦ ይእመን ይምስክር፤ ምሥጢር መንግሥተ ሰማያት ካብ'ቶም ምሁራት ኢና

---

[43] ሉቃ 3:21፣9:28፣22:41-44 ረአ
[44] ሉቃ 6:12፣9:18-20፣22:32 ረአ
[45] ሉቃ 11:1
[46] ማር 1:35፣6:46፣ሉቃ 5:16 ረአ
[47] ዕብ 2:12፣15፣4:15 ረአ

*ዚብሉ ሠዊሩ፣ ንሕፃናትን ነቶም ናይ ኣንቀጸ-ብፁዓን ድኻታትን ስለዝገለጸሎም ከመስግኖን ኪውድሶን ይርከብ።[48] "እወ ኦ! ኣቦ!" ብዚብል ናይ ምግራም ቃሉ፣ ናይ ልቡ ዕመቐኑ፣ "ሥምረት"-ኣቦኡ ንምፍጻም ስንድው ምዃኑን ይገልጽ፤ ምስኡ ድማ፡ እቲ ቃል-ምግራም ነቲ ኣብ ግዜ ጽንሰቱ፡ ኣዴኡ "ይኹን" ዝበለቶ፣ ዘቃልሕን፣ ኣብ ግዜ ሥቓያቱ ነቦኡ ኪብሎ ዘለዎ ኣቐዲሙ ዚነግርን እዩ። እቲ መላእ ጸሎት-ኢየሱስ ድማ፣ ብወገን'ቲ ሰብኣዊ ልቡ ንምሥጢር ፍቓድ-እግዚኣብሔር ኣቦ፡ ኣብ ዝነበሮ ፍቕሪ ዝዓዘዞ ተጸምዶ ተታሒዙ ዚርከብ እዩ።[49]*

**2604** *እታ ካልኣይቲ ጸሎቱ ድማ፡ ነ'ልኣዛር ቅድሚ ምትንሣኡ ዝጸለያ፣ ቅዱስ ዮሓንስ ዘዘንትወልና እያ።[50] ነቲ ክውነት ምስጋና ኪቕድሞ ይርከብ፤ "ኣቦ! ስለዝሰማዕካኒ ኣመስግነካ ኣሎኹ" ዚብል ጸሎት፡ እግዚኣብሔር-ኣቦ ንልመናታት ከምዚሰምዕ ዘረጋግጽ እዩ። ቀጺሉ ድማ ኢየሱስ "ኩሉሳዕ ከም እትሰምዓኒ እፈልጥ እየ" ይብል፤ እዚ ድማ ኢየሱስ ብወገኑ ልመናኡ ብቐጻሊ የቕርብ ከምዝነበረ የመልክት። እዚ ዓይነተይና ባሕሪኡ ብምስጋና ዚግለጽ ጸሎት-ኢየሱስ፣ ብኸመይ ክንልምን ከምዚግበኣና የመልክት። እቲ ህያብ ከይተዋህበ ከሎ፣ ኢየሱስ ርእሱ ከወፊ ይርከብ፤ እዚ ርእሱ ዘወፈዮ ከኣ ነቲ ብህያባቱ ገቢሩ ርእሱ ዚህብ ሓደ ኣምላኽ እዩ፣ እቲ ወሃቢ ካብ'ቲ ህያብ ንላዕሊ ኣዝዩ ድንቂ እዩ። ንሱ "መዝገብ" እዩ፤ ኣብኡ ድማ ልቢ-ወልድ ሰፊሩ ኣሎ፤ እቲ ህያብ ከም "ወሰኽ" ይወሃብ።[51]* 478

*ክህነታዊ ጸሎት-ኢየሱስ ኣብ ሥነ-ምጋቤ ድኅነት ፍሉይ ቦታ ይሕዝ።[52] እዚ ቀዳማይ ወገን፣ ብዛዕባኡ ብዚግበር ኣስተንትኖ ኪዛዝም እዩ። ወትሩ ግዜ ህልው ንዝኾነ ጸሎት-ሊቀካህንና ዚገልጽ፣ ምስኡ ድማ፡ ናብ ኣቦና ብዛዕባ እነቕርቦ ጸሎት ዚምህረና ዘበለ ኵሉ ዝሓዘ እዩ፤ እዚ'ውን እንተኾነ ኣብ ካልኣይ ወገን ኪዝርዝር እዩ።* 2746

**2605** *ናይ ኣቦኡ መደብ-ፍቕሪ ዚፍጸመሉ ሰዓት ምስበጽሐ፣ ኢየሱስ ነቲ ኣብ ውሉዳዊ ጸሎቱ ዘሎ ደረት-ኣልቦ ዕምቈት፡ ማሕ ኣቢሉ የርእየና። እዚ ኸኣ፡ ብድላዩ ርእሱ ኣሕሊፉ ቅድሚ ምሃቡ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ("ኦ ኣቦ!...ፍቓደይ ዘይኮነስ ፍቓድካ ደኣ")[53] ኣብ መስቀል ኮይኑ ኣብ ዝበሎ ናይ መወዳእታ ቃላት፣ ጸሎትን ርእሰወፈያን ኣብ ዝተወሃሃደሉ'ውን እዩ፤ "ኦ ኣቦ! ዚገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም'ሞ፡ ይቕረ በለሎም"[54]፤ "ሎሚ ኣብ ገነት ምሳይ ከም እትህሉ በሓቂ እብለካ ኣሎኹ"[55]፤ "ኣቲ ሰበይቲ! እነሆ ወድኺ"-"እነሃ ኣዴኻ"[56]፤ "ጸማእኩ"[57]፤ "ኣምላኸይ!* 614

[48] *ማቴ* 11፡25-27 *ሉቃ* 10፡21-23 *ረኣ*
[49] *ኤፌ* 1፡9 *ረኣ*
[50] *ዮሓ* 11፡41-42 *ረኣ*
[51] *ማቴ* 6፡21፣33
[52] *ዮሓ* 17 *ረኣ*
[53] *ሉቃ* 22፡42
[54] *ሉቃ* 23፡34
[55] *ሉቃ* 23፡43

ኣምላኸይ! ንምንታይ ኃደግካኒ”[58]፤ “ተፈጸመ”[59]፤ “ኦ ኣቦይ! ንነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኣማዕቍባ ኣሎኹ”[60] ኪብል ብልዑል ድምጺ ክሳብ ዝጨርሓሉን፣ መንፈሱ ዘረከበሉን፡ ዝጸለዮ ጸሎታት እዩ።[61]

**2606** ኣብ ባርነት-ኃጢኣትን ሞትን ናይ ዚርከብ ዓሌትሰብ፣ ናይ ኩሉ
403 እዋናት ጸገምን መከራን፣ እቲ ኹሉ ናይ ታሪኽ ድኅነት ልመናን ኣማልድነትን፡
653 ተደማሚሩ፣ ነዚ ናይ ሥግው ቃል-ጸሎት(ኣውያት) የቕውም። ኣብ'ዚ ከም'ዚ
2587 እምበኣር እግዚኣብሔር-ኣቦ ነዚ ጸሎት ተቐቢሉ፣ ልዕሊ ኩሉ ተስፋ ድማ፡ ነቲ ሓደ ወዱ ካብ ሞት ብምትንሣእ ኪምልሸሉ ይርከብ። በዚ ዓይነት'ዚ እቲ ናይ ጸሎት ነገር ኣብ ሥነምጋቤ ፍጥረትን ድኅነትን ምልኣት ይረክብ። መጽሓፈ መዝሙር ናይ'ቲ ኣብ ክርስቶስ ዚግበር ጸሎት መፍትሕ እዩ። ኣብ'ቲ “ሎሚ” ዚበሃል ነፍስወከፍ እዋን-ትንሣኤ ድማ፣ እግዚኣብሔር-ኣቦ፡ “ንስኻ ወደይ ኢኻ፡ ሎሚ ወለድኩኻ፤ ለምነኒ፡ ኣነ ኸኣ ኣሕዛብ ንርስትኻ፣ ምድሪ ብምልእታ ድማ ንኣኻ ክህበካ እየ”[62] ኪብሎ ይርከብ። ጸሎት-ኢየሱስ ብኸመይ ዓወት-ድኅነት ከምዚጭብጥ፣ ኣብ መልእኽቲ ዕብራውያን ብዘደንቕ ኣገባብ ተገሊጹ ኣሎ፡

> “ኢየሱስ ኣብ'ዛ ምድር'ዚኣ ኸሎ፣ ናብ'ቲ ካብ ሞት ከድኅኖ ዚኽእል፡ ብብርቱዕ ገዓርን ንብዓትን፣ ጸሎትን ምህለላን ኣቕረበ፡ ንኣምላኽ ዚእዘዝ ስለዝነበረ ከኣ ተሰምዐ። ወዲ ኣምላኽ እኳ እንተኾነ፣ በቲ ዝተቐበሎ ሥቓይ እዙዝ ምዃን ተማህረ። ዕዮኡ ምስፈጸመ ድማ፣ ነቶም ዚእዘዝዎ ዘበሉ ኹላቶም ናይ ዘለዓለም ድኅነት ምኽንያት ኮኖም።”[63]

## ኢየሱስ ምጽላይ ይምህረና

**2607** ኢየሱስ ኪጽሊ ከሎ፣ ምጽላይ ኪምህረና ይርከብ፤ እቲ ናብ ኣቦኡ
520 ዘዕርጎ ጸሎት፣ ንሕና ናብ እግዚኣብሔር ናይ እነዕርጎ ጸሎት ሥነመለኮታዊ መንገዲ (መንገዲ እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ)እዩ። እንተኾነ፡ ወንጌል'ውን ብዛዕባ ጸሎት ንዚወሃብ ትምህርቲ-ኢየሱስ ብግልጺ የቕርበልና እዩ። ከም ሓደ ጥበበይና መምህር ኣብ'ቲ ዘዘሎናዮ ብኢድና ሒዙ፣ ስጕሚ ብስጕሚ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ገጹ ይመርሓና። ኢየሱስ ነቲ ዚስዕቦ ዝነበረ ሕዝቢ እንኪምህር፣ ድሮ ካብ ብሉይ ኪዳን ዚፈልጥዎን ዝተማህርዎን ጸሎት ኣብ ልዕሊኡ ኪሓንጽን፣ ንምሕዳስ ምጽኣት-መንግሥቲ-እግዚኣብሔር መንገዲ ኪኸፍትን ይርከብ። ነዚ ሓዲስ ኵነት'ዚ ድማ ጸኒሑ ብምሳሌ ገለጸሎም። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ኣብ ቤተክርስትያኑ

---

[56] ዮሓ 19፡26-27
[57] ዮሓ 19፡28
[58] ማር 15፡34፣መዝ 22፡2 ረኣ
[59] ዮሓ 19፡30
[60] ሉቃ 23፡46
[61] ማር 15፡37፣ዮሓ 19፡30b ረኣ
[62] መዝ 2፡7-8፣ግ.ሓ 13፡33 ረኣ
[63] ዕብ 5፡7-9

መምህራን-ጸሎት ኪኾኑ ንዘለዎም ተመሃርቱ፣ ብዛዕባ ኣቦን መንፈስ ቅዱስን ብግልጺ ተዛረቦም።

**2608** ካብ'ቲ ናይ እምባ ስብከት ኣንቀጸ-ብፁዓን ንደሓር፣ ኢየሱስ ኣብ ናይ 541
ልቢ ንስሓ ከተኵር ይረኣ፣- ማለት ኣብ እግሪ ታቦት መባእካ ቅድሚ ምቕራብካ 1430
ምስ ኃውኻ ምትዕራቕ፣ ጸላእትኻ ምፍቃር፣ ምእንት'ቶም ዘሳድዱኻ ምጽላይ፣
ንሰማያዊ ኣቦ ብስቱር ምጽላይ፣ ኣብ ጸሎት ብዝሒ ቓላት ዘይምጥቃም፣ ካብ
መዓሙቕ-ልቢ ዝፈልፈለ ጸሎት ዝዓዘዞ ምሕረትን ይቕረታን ምዝውታር፣
ንጽሕና ልቢ፣ ከምኡ'ውን ቅድሚ ኹሉ መንግሥቱን ጽድቁን ምድላይ እዩ።[64]
እዚ ውሉዳዊ ንስሓን ምምላስን ብምሉኡ ናብ ኣቦ ዘቕነዐ እዩ።

**2609** እቲ ኡንኮ ኣብ ንስሓ ዝተጸምደ ልቢ ብእምነት ምጽላይ ይመሃር 153
(ይለምድ)። እምነት ማለት ክንየው'ቲ ዚስመዓናን ዚርደኣናን ዚኸይድ፣ ብመንፅር 1814
ኣምላኽ ዚህልወና ውሉዳዊ ተጸምዶ እዩ። እምነት ኪህሉ ዚከኣል፡ እቲ ፍቁር
ወዱ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ክንቀርብ ዕድል ስለዝሃበና እዩ። ንሱ ንባዕሉ እቲ
ኣፍቤትን መንገድን ስለዝኾነ፡ "ክንደልን" "ክንኰሕኵሕን" ኪሓተና ይኽእል።[65]

**2610** ከም'ቲ ኢየሱስ ናብ ኣቦ ዚጽልዮን፣ ጸጋታቱ ቅድሚ ምቕባል ድማ 165
ከመስግኖ ዚርከብ፣ ልክዕ ከምኡ፡ ውሉዳዊ ትብዓት ይምህረና፡- "እትጽልይዎን
እትልምንዎን ዘበለ፣ ከም ዝተቐበልኩምዎ እመኑ እሞ ኪኾነልኩም እዩ"[66]።
"ንዚኣምን ኩሉ ይከኣል እዩ"[67]፣ ናይ ጸሎትን ናይ'ታ ዘይትጠራጠር እምነትን
ኃይሊ ክሳብ ክንድ'ዚ እዩ። ኢየሱስ፡ ብናይ'ቲ ሮማዊ ሓለቓሚእትን፣ ብናይ'ታ
ከነኣናዊት ሰበይትን ዓቢይ እምነት፡ ኣዝዩ ከምዝተደነቐ መጠን፣ ብናይ'ቶም
ኣዕሩኽቱ "እምነት ዘይምህላውን"፣ ብናይ ተመሃርቱ (ደቀመዛሙርቱ) "ዋሕዲ-
እምነትን" ኪጕሂ ይርከብ[68፣69]።

**2611** እምነት ዝዓዘዞ ጸሎት፣ ልብኻ ንፍቓድ-ኣምላኽ ብምስንዳው ደኣ'ምበር፣ 2827
"ጐይታ! ጐይታ!" ብምባል ዚግለጽ ኣይኮነን።[70] ደቀመዛሙርቱ ኪጽልዩ ከለዉ
ንልመናኦም ምስ መደብ-ኣምላኽ ናይ ምትሕብባር መንፈስ ዘለዎ ኪኸውን፡
ኢየሱስ የተሓሳስቦም።[71]

**2612** ኣብ ኢየሱስ "እታ መንግሥቲ-እግዚኣብሔር ቀሪባ (መጺኣ) እያ"[72]። 672
ንሰማዕቱ ናብ እምነትን ናይ ንስሓ ሕይወትን፣ ከምኡ'ውን ናብ ንቕሓትን 2725

---

[64] ማቴ 5፡23-24፣44-45፣6፡7,14-15፣21፣25፣33 ረአ
[65] ማቴ 7፡7-11፣13-14 ረአ
[66] ማር 11፡24
[67] ማር 9፡23፣ማቴ 21፡22 ረአ
[68] ማር 6፡6፣ማቴ 8፡26 ረአ
[69] ማቴ 8፡10፣15፡28 ረአ
[70] ማቴ 7፡21 ረአ
[71] ማቴ 9፡38፣ሉቃ 10፡2፣ዮሓ 4፡34 ረአ
[72] ማር 1፡15

ይዕድሞም። እቲ ወደመዝሙር እምበኣር ኣብ ጸሎት፡ ነቺሑን ተጊሁን ይቕጽል፣ ነቲ ዝቐደመ ብትሕትና ሥጋ ዝኾነ ምጽኣቱ እናዘከረ፣ በቲ ካልኣይ ናይ ክብሪ ምጽኣቱ እናተተስፈወ፣ ነቲ ዘሎን ዚመጽእን (ኣምላኽ)ብንቕሓት ይጽበ።[73] ምስ መምህሮም ሱታፌ ናይ ዘለዎም ደቀመዛሙርት ጸሎት ሓደ ውግእ እዩ፤ ዝኾነ ይኹን ሰብ፣ ኣብ ፈተና ካብ ምውዳቕ ዚድኅን ድማ፣ ኣብ ጸሎት ብምንቃሕ እዩ።[74]

**2613** ብዛዕባ ጸሎት ንዘመልከታ ሠለስተ ቀንዲ ምሳሌታት ቅዱስ ሉቃስ
546 ይትርኽልና፡-

- ቀዳመይቲ፡- "ናይ'ቲ ዘይሕለል ዓርኪ"[75] ምሳሌ፣ "ኳሕኲሑ ኪረሓወልኩም ድማ እዩ" ኪብል ይዕድመና። ብኸም'ዚ ዓይነት'ዚ ንዚጽሊ፣ እቲ ሰማያዊ ኣቦ፡ "ዜድልዮ ዘበለ ኪህቦ"፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ኩሉ ህያባት ንዘጠቓለለ መንፈስ ቅዱስ ኪህቦ እዩ።
- ካልኣይቲ፡- ናይ'ታ "ዘይትሕለል ማእምን (መበለት)"[76] ምሳሌ፣ ኣብ ዓይነት ጸሎት ዘተኰረት እያ። ወትሩ፡ ብዘይምቍራጽ፣ እሞ ብናይ እምነት ጽንዓትን ትዕግሥትን ምጽላይ የድሊ። "እንተኾነ ግን ወድሰብ ምስመጽእስ፡ ኣብ ምድሪ እምነት ደኸን ምረኽበ?"

2559 - ሣልሰይቲ ምሳሌ "ፈሪሳውን መጸብሓውን (ተጋውን)"[77]፣ ኣብ ጸሎት ናይ ዝተጸምደ ልቢ ትሕትና ይገልጽ። "ኦ ኣምላኽ፡ ኣነ ኃጥእ እየ'ሞ፡ መሓረኒ!" ቤተክርስትያን ድማ ነዚ ጸሎት'ዚ ቀጺላ ትጥቀመሉን፣ ናታ ትገብሮን "ኪርየ ለይሶን" (እግዚኦ መሓረነ)።

**2614** እቲ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚቐርብ ጸሎት፣ ኢየሱስ ንደቀመዛሙርቱ
434 ብዛዕባ ምሥጢሩ ብግልጺ ብዝነገረሉ ግዜ፣ በቲ ዝኸበረ ሰብኣውነቱ ናብ ኣቦኡ ምስተመልሰ፣ ናታቶምን ናትናን ጸሎት ከመይ ኪኸውን ከምዘለዎ ይገልጽ። ኣብ'ዚ እቲ ሓዲስ ዚበሃል "ብስሙ ምልማን" እዩ።[78] ኣብ ወልድ ዘለዎም እምነት፡ ነቶም ደቀመዛሙርት፡ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ንምፍላጥ ይሕግዞም፣ ምኽንያቱ ንሱ ኢየሱስ መንገዲ፡ ሓቂ፡ ሕይወት እዩ።[79] እምነት ፍሬኡ ዚህብ ኣብ ፍቕሪ እዩ። እዚ ኸኣ፡ ንቃላትን ትእዛዛትን ኢየሱስ ምሕላው፤ ምስኡ ኣብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ምንባር፣ ብኸምኡ የፍቅረናን ምሳና ይነብርን ማለት እዩ።

[73] ማር 13፣ሉቃ 21፡34-36 ረአ
[74] ሉቃ 22፡40፣46 ረአ
[75] ሉቃ 11፡5-13 ረአ
[76] ሉቃ 18፡1-8 ረአ
[77] ሉቃ 18፡9-14 ረአ
[78] ዮሓ 14፡13
[79] ዮሓ 14፡6

ኣብ'ዚ ሓዲሽ ኪዳን እቲ ልመናታት ከምዚስማዕ ዘሎና ርግጽነት፣ ኣብ ጸሎት-ኢየሱስ ዝተመሥረተ እዩ።[80]

**2615** ካብ'ዚ ሕልፊ'ውን፣ ጸሎትና ምስ'ቲ ናይ ኢየሱስ ተወሃሂዱ ብዝተረኽበሉ፡ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚህበና ህያብ፣ "ንዘለዓለም ምሳኻትኩም ዚነብር ካልእ መጸናንዒ፣....እቲ መንፈስ ሓቂ" እዩ።[81] እዚ ሓዲሽ ገጽታ-ጸሎትን ኩሉ ኵነታቱን ኣብ'ቲ ናይ ኢየሱስ ቃላት-ፋነዋኡ ተገሊጹ ኣሎ።[82] ብመንፈስ ቅዱስ ዚግበር ጸሎት-ክርስትና ብኽርስቶስ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ኣብ ክርስቶስ ምስ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚፍጸም ናይ ፍቕሪ-ሱታፌ እዩ። "ክሳብ ሕጂ ብስመይ ሓንቲ'ኳ ኣይለመንኩምዎን። ሓጐስኩም ምሉእ ምእንቲ ኪኸውን ለምኑ" ክትረኽቡ ድማ ኢኹም።[83] 728

## ኢየሱስ ጸሎትና ይሰምዕ

**2616** ነቲ ናብኡ ዝተገብረ ጸሎት፣ ኢየሱስ ድሮ ኣብ ግዜ ስብከቱ፣ ንኃይሊ 548
ሞቱን ትንሣኤኡን ቐዲሙ ብዝመጽእ ምልክታት-ትእምርታት ገቢሩ ኪምልሸሉ 2667
ይረአ። ብቓላት፡ (ለምጻም ኢያኢሮስ፣ ከነኣናዊት ሰበይቲ፡ እቲ ሕያዋይ ሰራቒ)[84] ወይ ከኣ ብስቕታ ንዝተገልጸ ናይ እምነት ጸሎት፣ ኢየሱስ ይሰምዮ እዩ፤ (ጸወርቲ ልሙስ፣ ደም ዝፈሰሳ'ሞ ዘፈር ልብሱ ዝተንከፈት ሰበይቲ፣ ናይ'ታ ኃጢኣተይና ሰበይቲ ንብዓትን፡ ቅብኣትን ምዝካር የኣክል)[85]።

"ወዲ ዳዊት መሓረና" ወይ ከኣ "ኢየሱስ ወዲ ዳዊት፡ መሓረኒ" ዚብል ናይ'ቶም ዕዉራን ሰባት ጽኑዕ ልመና፣ ናብ ኢየሱስ ኣብ ዚቐርብ፣ "ጸሎት-ኢየሱስ" ዝተሰምየ ልሙድ ጸሎት ተሓዲሱ እዩ። "ኦ! ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ-ኣምላኽ ነኣይ ንኃጢኣተይና መሓረኒ"[86]። ንሕማማት ብምፍዋስ ወይ ከኣ፡ ንኃጢኣት ብምምሓር፣ ኢየሱስ ወትሩ ነቲ ብእምነት ዝተገብረ ጸሎት ይምልሸሉ። "እምነትካ ኣድሓነትካ፣ ብሰላም ኪድ"።

> *ነተን ሠለስተ ናይ ጸሎት ኢየሱስ ገጻት፡ ቅዱስ ኣጐስጢኖስ ብዘደንቕ ኣገባብ ጽምቝ ኣቢሉ የቕርበን፤ "ከም መጠን ካህንና ምእንታና ይጽሊ፤ ከም መጠን ርእስና ኣባና ይጽሊ፤ ከም መጠን ኣምላኽና ድማ በኣና ይልመን ይጽለየሉ። ምእንት'ዚ ኣብ'ቲ ድምጹ ድምጽና፣ ኣብቲ ድምጽና ከኣ ድምጹ ከምዘሎ ንተኣመን"።[87]*

---

80 ዮሓ 14፡13-14 ረአ
81 ዮሓ 14፡16-17
82 ዮሓ 14፡23-26፣15፡7፣16፣16፡13-15፣16፡23-27 ረአ
83 ዮሓ 16፡24
84 ማር 1፡40-41፣5፡36፣7፡29፣ ሉቃ 23፡39-43 ረአ
85 ማር 2፡5፣5፡28፣ሉቃ 7፡37-38 ረአ
86 ማቴ 9፡27፣ማር 10፡48
87 ቅ.ኣጐስጢኖስ En. inps. 85, 1፡ PL 37, 1081; cf. GILH 7.

## ጸሎት ድንግል ማርያም

**2617** እቲ ምልኣት-ግዜ ወገግ ኣብ ዝበለሉ እዋን፣ ጸሎት ማርያም ኪግለጽ
148 ተረኺበ። ናይ ወልደ-እግዚኣብሔር ሥጋዌ ቅድሚ ምፍጻሙን፣ መንፈስ ቅዱስ
494 ቅድሚ ምውራዱን፣ ጸሎታ ብፍሉይ መንገዲ ምስ'ቲ ናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ
490 መደብ ፈቃር-ሕያውነቱ ኪሠምር ይርከብ፣ ኣብ ግዜ ብሥራት ጽንሰት-ክርስቶስ፣ ብዕለተ ጰንጠቆስጤ ምእንቲ ሕንጸታ ነታ ኣካሉ ቤተክርስትያን፣[88] እቲ ህያብ-ኣምላኽ ነቲ ካብ ፈለማ ግዜ ኣትሒዙ ዚጽበዮ ዝነበረ ተቐባልነት፡ ኣብ እምነት'ዛ ትሕትቲ ኣገልጋሊት ረኺቦ። እዛ ከሃሌኵሉ ኣምላኽ "ምልእተጸጋ" ዝገበራ ፍጥረት፣ ኵለንትናኣ ብምውፋይ ትምልሽ። "እነሆኹ ኣነ ባርያ-እግዚኣብሔር እየ፣ ከም'ቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ"፤ "ይኹን"፣ እዚ'ዩ እቲ ጸሎተ ክርስትና። ማለት ንሱ ብመላኡ ናትና ኮይኑ ስለዝተረኸበ፣ ንሕና ብመላእና ናቱ ምዃን እዩ።

**2618** ማርያም ከመይ ኢላ ብእምነት ከምትጽልን፡ ከምተማልድን ወንጌል
2674 ኣነጺሩ ይገልጸልና። ኣብ ቃና[89] ኣደ-ኢየሱስ ምእንቲ ግድነት ሰብ-መርዓ ንወዳ
726 ትልምኖ። እዚ ድማ ናይ'ቲ ኻልእ ድግስ (በዓል) ምልክት እዩ፦ ማለት ብልማኖ'ታ መርዓቱ ቤተክርስትያን፡ ሥጋኡን ደሙን ዚህበሉ ናይ'ቲ ገንሸል በዓል መርዓ እዩ። ማርያም ከም መጠን "እታ ሰበይቲ"፡ ከም መጠን ሓዳስ ሔዋን፣ ከም መጠን ኵነተይና "ኣደ ኵሎም ሕያዋን" ብምዃን ክትስማዕ ዝተረኸበት፣ ኣብታ ናይ ሓዳስ ኪዳን ሰዓትን፡ ኣብ እግሪ መስቀልን እያ።[90]

**2619** እቲ ማኅሌት ማርያም[91]፣ ማለት "ጸሎተ ታዐብዮ" ብድርብ፣ ናይ ኣደ-
724 ኣምላኽ ጸሎትን ጸሎት ቤተክርስትያንን፣ ናይ ጓል-ጽዮንን (ኢየሩሳሌምን) ናይ'ቲ ሓዲስ ሕዝቢ-እግዚኣብሔርን መዝሙር፣ ኣብ ሥነምጋቤ ድኅነት ምእንቲ ዝፈሰሰ ምልኣት-ጸጋታት ዝቐረበ መዝሙር፣ ከምኡ'ውን ነቦታትና "ንኣብርሃምን ንዘርኡን ንዘለዓለም" ዝተኣትወሎም ቃል-ተስፋኦም ናይ ዝተፈጸመ ናይ'ቶም "ድኻታት" (መስኪናን) መዝሙር ኮይኑ ይርከብ።

---

## ብሓጺር

**2620** እቲ ናይ ኢየሱስ ውሉዳዊ ጸሎት፣ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ዚርከብ ፍጹም ኣብነት-ጸሎት እዩ። እዚ ጸሎት-ኢየሱስ ድማ ዚበዝሕ ግዜ ኣብ ጽሙውን ስቱርን ኣገባብ ዚፍጸም ኮይኑ፣ ንፍቓድ እግዚኣብሔር ኣቦኡ ዘለዎ ፍቕሪ ዝዓዘዞ ተጸምዶ የጠቓልል። እዚ ተጸምዶ'ዚ'ውን ብግዴኡ ክሳብ መስቀል ዚበጽሕ እንኪ

---

[88] ሉቃ 1፡38፣ግ.ሓ 1፡14 ረአ
[89] ዮሓ 2፡1-12 ረአ
[90] ዮሓ 19፡25-27 ረአ
[91] ሉቃ 1፡46-55 ረአ

ኸውን፣ ጸሎቱ ከምዚስማዕ ብምሉእ ተኣማንነት ከም ዝተገብረ ዜርኢ እዩ።

2621 ኣብ ትምህርቱ ከምዚረኤ፣ ኢየሱስ ነቶም ተኸተልቱ ብንጽሕና-ልቢ፣ ብብርቱዕን ትጉህን እምነት፡ ብውሉዳዊ ትብዓት ኪጽልዩ ይነግሮም። ኪነቕሑ ይጽውዖም፣ ብስሙ ድማ ልመናኦም ናብ እግዚኣብሔር ከዕርጉ ይዕድሞም። ኢየሱስ ክርስቶስ ብቐንዱ፡ ነቲ ናብኡ ዝቐረበ ጸሎት ይምልሽሉ።

2622 ጸሎት ድንግል ማርያም፣ ብፍላይ "ይኹን" "ተዕብዮ"(ታዐብዮ) ዚብል ኵለንትናኣ፣ብእምነት ናይ ዝገበረቶ ለጋስ ወፈያ ዓይነተይና ባሕርይ እዩ።

## ኣንቀጽ 3
# ኣብ ዘመነ ቤተክርስትያን

2623 ብዕለተ ጰንጠቆስጤ፣ "ኣብ ሓደ ቦታ" ተጋቢኦም ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ ተኸተልቱ እቲ መንፈስ-ተስፋ ወረደ።[92] ነቲ መንፈስ ኪጽበዩ ከለዉ "እዚኣቶም ኵሎም ብሓደ ኣፍን ልብን ኣብ ጸሎት ተጸሚዶም ነበሩ"።[93] እቲ ንቤተ ክርስትያን ዚምህራን፣ ኢየሱስ ዝበሎ ኹሉ ዘዘኻኽራን[94] መንፈስ ቅዱስ፣ ኣብ ሕይወት-ጸሎት ዚመርሓ'ውን ንሱ እዩ። 731

2624 ኣብ'ታ ቀዳመይቲ ማኅበር-ኢየሩሳሌም፣ እቶም ምእመናን "ኣብ ትምህርቲ ሓዋርያትን፣ ኅብረትን፣ ኣብ ምቕራስ ኅብስትን (እንጌራን)፣ ኣብ ጸሎትን ተጸሚዶም ነበሩ።"[95] እዚ መሥርዕ'ዚ ናይ ጸሎት ቤተክርስትያን ቀንዲ መግለጺ እዩ፣ እምነት-ሓዋርያት መሠረቱ ዝገበረ፣ ብፍቕሪ ዝተመሳኸረ፣ ብቅዱስ ቍርባን ዝተመገበ እዩ። 1342

2625 ቅድሚ ኹሉ፡ እዚ ጸሎት'ዚ እቲ ምእመናን ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ 1092
ዚሰምዕዎን ዜንብብዎን ጸሎታት እንኪኸውን፣ ብፍላይ እቲ ከም መዛሙር ዝመሰለ 1200
ጸሎታት፣ ኣብ ክርስቶስ ተፍጻሜቱ ዚረክብ ብምኳኑ፣ ምእመናን ናታቶም ጸሎት ይገብርዎ።[96] ነታ ኣብ ጸሎት ዝተጸምደት ቤተክርስትያን፣ ናይ ክርስቶስ ዝኽራ ሕያው ኮይኑ ከምዚነብር ዚገብር መንፈስ ቅዱስ፣ ናብ ምልኣት-ሓቂ ገጻ ይመርሓ፣

[92] ግ.ሓ 2፡1
[93] ግ.ሓ 1፡14
[94] ዮሓ 14፡26 ረአ
[95] ግ.ሓ 2፡42
[96] ሉቃ 24፡27፣44 ረአ

ኣብ'ቲ ናይ ቤተክርስትያኑ ሕይወትን፣ ምሥጢራትን፣ ተልእኮትን ዚሰርሕ፣ ዕምቈቱ ዘይብጻሕ ምሥጢረ-ክርስቶስ ንምግላጽ፣ ብሓዲስ ቃላትን ብሂላትን የብርሃ። እዚ መግለጺታት'ዚ ኣብ'ቲ ክቡር ሊጡርግያውን መንፈሳውን ትውፊት ዝማዕበለ እዩ። ኣብ ናይ ሓዋርያት ጽሑፋትን፡ ኣብ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ክፍልታትን ዚግለጽ መልክዕ ጸሎት፡ ናይ ጸሎተ ክርስትና መምርሒ ኮይኑ ይነብር።

## I. ቡራኬን ስግደትን

**2626** ቡራኬ እቲ ቀንዲ ናይ ጸሎተ-ክርስትና ምንቅስቓስ ዚገልጽ፣ ኣብ
1078 መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዚግበር ርክብ እዩ። ኣብ'ቲ ዚግበር ጸሎተ-ቡራኬ ብዚፍጸም ምውስሳእ/dialogue (ጸሎት)፣ ቡራኬ-ኣምላኽን ተቐባልነት-ሰብን ይራኸብን ይወሃሃድን። እቲ ጸሎተ ቡራኬ ብወገን ሰብ ንህያባት-ኣምላኽ ዚወሃብ ምላሽ እዩ። እግዚኣብሔር ንሰብ ይባርኾ፣ ልቢ-ወድሰብ'ውን ተመሊሱ ነቲ ምንጪ-ኩሉ ቡራኬ ዝኾነ ኣምላኽ ይባርኾ ይምርቖ፣ በኣኡ ጽቡቕ ይዛረብ።

**2627** ነዚ ምንቅስቓስ'ዚ ዚገልጽ ክልተ መሠረታዊ መልክዕ ኣሎ፤ ጸሎትና፡
1083 ብክርስቶስ ኣብ መንፈስ ቅዱስ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ የዐርግ፤ ነቲ ዝባረኸና ንሕና'ውን ተመሊስና ንባርኾ[97]። ብኽርስቶስ ኣቢሉ ካብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ንዚወርድ ጸጋ-መንፈስ ቅዱስ፣ ናይ'ቲ ዚባርኸና ቡራኬኡ ክንቅበል፣ በዚ ጸሎት'ዚ ክንምህለል ንርከብ።[98]

**2628** ሰብ ፍጡር ብምዃኑ፣ ኣብ ቅድሚ ፈጣሪኡ ዚእመነሉ ቀዳማይ
2096 ኣተናኡ ስግደት (ኣምልኾት) እዩ። ናይ'ቲ ዝፈጠረና ኣምላኽ ዕቤትን[99]፣ ካብ
2097 ኃይሊ ክፉኣት ሓራ ንዘውጽኣና፣ ናይ መድኃኒና ልዑል ክእለትን ዘዕቢ እዩ።
2559 ስግደት ኪበሃል ከሎ፡ ነቲ "ንጉሥ ክብሪ"[100] ዚቐርብ ናይ መንፈስ ኣምልኾት፣ ኣብ ቅድሚ እቲ "ወትሩ ዓቢይ" ኣምላኽ፣ ክብሪ ብዝመልአ ስቕታ ዚግበር ኣቀራርባ እዩ።[101] ነቲ ሥሉስ ቅዱስን፣ ልዑል ኣምላኽ-ፍቕርን ዚቐርብ ስግደት፡ ምስ ትሕትና ተላፊኑ ንልመናና ርግጽነት ይህቦ።

---

[97] ኤፌ 1፡3-14፣2 ቆሮ 1፡3-7፣1 ጴጥ 1፡3-9 ረአ
[98] 2 ቆሮ 13፡13፣ሮሜ 15፡5-6፣13፣ኤፌ 6፡23-24 ረአ
[99] መዝ 95፡1-6 ረአ
[100] መዝ 24፣9-10
[101] ቅ.ኣጎስጢኖስ En. inps. 62, 16፡ PL 36, 757-758 ረአ

## II. ጸሎት ልመና

2629 ንልመና(ምህለላ) ዚርኢ ናይ ሓዲስ ኪዳን መዝገበ-ቃላት፡ ኣዝዩ ሃብታም ትርጕም ዝሓዘ እዩ፤ ሕተቱ፣ ለምኑ፣ ኣማልዱ፣ ተማህለሉ፣ ተወከሱ፣ ጨርሑ "ኣብ ጸሎት ተጋደሉ"[102] ዚብል ከይተረፈ ኣሎ። እቲ ኣዝዩ ልሙድ ዝኾነ ልመና እዩ፤ ምኽንያቱ ኸኣ ብገርሂ ጕስጕሱ ዚወጽእ እዩ። ምስ እግዚኣብሔር ዘሎና ርክብ እንገልጸሉ በዚ ጸሎተ ልመና እዩ። ንሕና ባዕልና ንባዕልና ዘበገሥና ፍጡራን ኣይኮናን፣ ነቲ ዅሉ ዚመጽኣና ተቓውሞ እንመልኽ ኣይኮናን፣ መወዳእታ ዕላማና'ውን ካባና ኣይኮነን። ንሕና ኃጢኣተይናታት ኢና፤ ክርስትያን ዘበለ ዅሉ ከምዚፈልጦ ከኣ፣ ብኃጢኣትና ካብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዝረሓቕና፣ ልመናና ድማ ናብኡ ከምዝተመለስና ብኡብኡ የረድእ። 396

2630 ኣብ ብሉይ ኪዳን ልሙድ ዝኾነ ጸሎተ ሰቆቃው(ምስቍርቋር)፡ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ኣዝዩ ስሑው እዩ። ወትሩ ግዜ ኣብ ትጽቢት'ኳ እንተሎና፡ ዕለተ-ዕለት'ውን ክንሕደስን፡ ብንስሓ ክንምለስን ዚግበኣና እንተኾነ፣ እቲ ጸሎት-ቤተ ክርስትያን ብክርስቶስ ብተስፋ-ትንሣኤ ተመሊኡ ይርከብ። ቅዱስ ጳውሎስ "እህህታ" ቢሉ ዚሰምዮ ጸሎት-ክርስትና፣ ካብ'ቲ ካልእ ዕምቈት ዚፍልፍል፣ ማለት ካብ'ቲ "ኣብ ጻዕርን ቅልውላውን" ዚርከብ ፍጥረት ዚጕስጕስ፣ ከምኡ'ውን ድኅነት-ሥጋና እንጽበ ኣብ ዘሎና ኣባና'ውን ዚረአ ጸሎት እዩ። ከመይሲ "በዛ ተስፋ'ዚኣ ኢና ዝደሓንና"።[103] ኣብ መወዳእታ ድማ "መንፈስ ቅዱስ ንድኻምና ይድግፎ እዩ። ከመይ ገቢርና ክንጽሊ ከምዚግበኣና ኣይንፈልጥን ኢና፤ ግና እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ብዘይንገር እህህታ ዚጽልየልና።"[104] 2090

2631 ናይ ጸሎት ልመና ፈላሚ ምንቅስቓስ፣ ልክዕ ከምቲ ኣብ ምሳሌ (ወንጌል) ዚጥቀስ ኣካብ-ቀረጽ (መጸብሓዊ)፣ ምሕረት ምልማን እዩ። "ኦ! ኣምላኸይ ነኣይ ንኃጥእ መሓረኒ"[105]። እዚ ኣገባብ'ዚ ናይ'ቲ ንጹሕን ቅኑዕን ጸሎት ቅድመ ኵነት እዩ። "ነቲ እንልምኖ ዘበለ ኩሉ ካብኡ ምቕባል"[106] ምእንቲ ክንክእል፣ እምነት ብዝዓዘዞ ትሕትና፣ ምስ እግዚኣብሔር ኣቦን ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱን፣ ምስ ሓድሕድናን ብርሃን-ሱታፌ(ኅብረት) ኪህልወና ይግባእ። ኣብ ጸሎተ መሥዋዕተ-ቅዳሴ ኮነ፣ ኣብ ውልቃዊ ጸሎት፣ ምሕረት ምልማን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። 2838

2632 ሕንብርቲ ጸሎት-ክርስትና እምበኣር፣ ንትምህርቲ-ክርስቶስ ብምሕላው 2816:1942
መንግሥቲ-እግዚኣብሔር ንኽትመጽእ ዘሎካ ሃረርታን ሃሰስታን (ሃሰስ ምባል) 2854

[102] ሮሜ 15፡30፣ቆላ 4፡12 ረአ
[103] ሮሜ 8፡22-24
[104] ሮሜ 8፡26
[105] ሉቃ 18፡13
[106] 1 ዮሓ 3፡22፣1፡7-2፡2 ረአ

እዩ።[107] ኣብ'ዚ ልመናታት'ዚ ድማ መዓርጋትን ደረጃታትን ኣሎ። ቅድሚ ኹሉ ምእንቲ መንግሥቲ-ኣምላኽ ንጽሊ፣ ድሕር'ዚ ነዚ መንግሥት'ዚ ኣብ ምቕባል ኣድላዪ ምእንቲ ዝኾነ ነገራትን፣ ኣብ ምጽኣቱ ንምትሕብባርን ንጽሊ። ምስ'ዚ ቤተክርስትያን ናታ ዝገበረቶ ተልእኮት-ክርስቶስን መንፈስ ቅዱስን ዚግበር ምትሕብባር፣ ናይ'ታ ሓዋርያዊት ማኅበር ናይ ጸሎታ ቀንዲ ዕላማ እዩ።[108] ናይ'ቲ መዳርግቲ-ኣልቦ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ጸሎት እዩ። ንኹለን ኣብያተ ክርስትያን ብርሃን ክርስትያናዊ ጸሎት ዘብረሃለን መለኮታዊ ኃልዮት ምኳኑ፣ በዚ ጸሎት-ሓዋርያ ይግለጸልና።[109] ነፍስወከፍ ዝተጠምቀ ክርስትያን ብጸሎቱ ንምጽኣት መንግሥት-ኣምላኽ ይሰርሕ።

**2633** ኣብ'ቲ ናይ እግዚኣብሔር ዜድኅን ፍቕሩ ኣብ እንሳተፈሉ ግዜ፡ ዝኾነ
2830 ይኹን ድልየት (ግድነት) ዕላማ-ልመና ኪኸውን ከምዚኽእል ንርዳእ። ንኹሉ
ንምድኃን፣ ንኹሉ ዝለበሰ ክርስቶስ፡ ብስሙ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ብእንልምኖ ኵሉ
ኪኽብር ይርከብ።[110] በዚ ምትእምማን'ዚ እዮም'ምበኣር ቅዱስ ያዕቆብን፡ ቅዱስ
ጳውሎስን ኩሉ ግዜ ክንጽሊ ዚምዕዱና።[111]

## III. ጸሎት ኣማልድነት

**2634** ኣማልድነት ኪበሃል ከሎ፣ ኢየሱስ ይጽልዮ ናብ ዝነበረ ዚመርሓና
432 ጸሎት ልመና እዩ። ምእንቲ ኩሉ ሰብ፡ ብፍላይ ምእንቲ ኃጢኣተይናታት ዚጽልን፣
ኣብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዘማልድን ንሱ እዩ።[112] "ምእንት'ዚ ድማ፡ ኩሉ ግዜ
ምእንትኦም ከማልድ ስለዚነብር፣ ነቶም በኣኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጽኡ፣
ንዘለዓለም ከድኅኖም እዩ።"[113] "እቲ መንፈስ ባዕሉ'ዩ... ዚጽልየልና፣ ምእንት'ቶም
ቅዱሳን ዚጽልዮ'ውን ከም ፍቓድ-ኣምላኽ ገቢሩ እዩ"።[114]

**2635** ካብ ኣብርሃም ኣትሒዙ፣ ኣማልድነት ማለት ምእንቲ ካልኦት
2571 ምጽላይ፣ ምስ ምሕረት ኣምላኽ ናይ ዝተቓነየ ልቢ ጠባይ እዩ። ኣብ'ዚ ዘመነ-
2577 ቤተክርስትያን፣ እቲ ከም መግለጺ ሱታፌ-ቅዱሳን ዚሕሰብ ናይ ክርስትያን
ኣማልድነት ንርእሱ፡ ኣብ'ቲ ናይ ክርስቶስ ኣማልድነት ከኣ ተሳታፌ ይኸውን፤
እቲ ኣብ ጸሎት-ኣማልድነት ዝተጸምደ ሰብ፡ ነቶም ዚጐድእዎ'ውን ከይተረፉ

---

[107] ማቴ 6፡10፣33፣ሉቃ 11፡2፣13 ረአ
[108] ግ.ሓ 6፡6፣13፡3 ረአ
[109] ሮሜ 10፡1፣ኤፌ 1፡16-23፣ፊልጵ 1፡9-11፣ቆላ 1፡3-6፣4፡3-4፣12 ረአ
[110] ዮሓ 14፡13 ረአ
[111] ያዕ 1፡5-8፣ኤፌ 5፡20፣ፊልጵ 4፡6-7፣ቆላ 3፡16-17፣1 ተሰ 5፡17-18 ረአ
[112] ሮሜ 8፡34፣1 ዮሓ 2፡1፣1 ጢሞ 2፡5-8 ረአ
[113] ዕብ 7፡25
[114] ሮሜ 8፡26-27

ክሳብ ምጽላይ፡ ዚበጽሕ “ናይ ካልኦት ረብሓ’ምበር፡ናይ ገዛእ ርእሱ ረብሓ፡ ዘይርኢ.”[115] እዩ።

**2636** እተን ቀዳሞት ማኅበራት-ክርስትና ነዚ ናይ ኅብረትን ሱታፌን መሥርዕ 1900
ብዕቱብ ኪነብርኦ ተረኺባ።[116] ምእንት’ዚ ከኣ ሓዋርያ ጳውሎስ፡ ኣብ ኣገልግሎት 1037
ስብከተ-ወንጌሉ የሳትፎም፤[117] ግና ኸኣ ምእንትኦም የማልድ።[118] ኣማልድነት
ክርስትያን ደረት ኣይፈልጥን’ዩ። “ምእንቲ ዘሳድዱን፣ ምእንቲ ድኅነት ጸላእቲ-
ወንጌልን እውን፡ ጸሎት ኪግበር የድሊ።[119]

# IV. ጸሎት ምስጋና

**2637** መሥዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ምዕራግ፣ ርእሳ ብዝበለጸ እትገልጾን፣ መንነታ 224
እተረጋግጾን ቤተክርስትያን፣ ጸሎታ መንፈስ ምስጋና ዝዓዘዞ እዩ። ብርግጽ’ውን 1328
ኣብ ግብረ-ድኅነት፡ ክርስቶስ ንፍጥረት ዓለም ካብ ኃጢኣትን ሞትን ሓራ ኣውጺኡ፣ 2603
ከምበሓዲሽ ቀዲሱ፡ ምእንቲ ኽብሩ ናብ ኣቦ ከምዚምለስ ይገብሮ። እቶም
ኣባላት’ቲ ኣካል ዘቕርብዎ ምስጋና ድማ፣ እቲ ርእሲ (ዋናኦም) ኣብ ዘቕርቦ
ምስጋና ዚሳተፍ እዩ።

**2638** ልክዕ ከም’ቲ ኣብ ጸሎት-ልመና፣ ዝኾነ ይኹን ክውነትን ግድነትን ናይ ጸሎት ምስጋና ምኽንያት ኪኸውን ዚኽእል እዩ። መልእኽታት ቅዱስ ጳውሎስ እውን ዚበዝሕ ግዜ ብምስጋና ጀሚሩ፡ ብምስጋና ይውድእ፤ ወትሩ ኸኣ ጐይታ ኢየሱስ ኣብኡ ኣሎ፣ “ብኹሉ ኣመስግኑ፣ ከመይ ኣብ’ቲ ብኽርስቶስ ኢየሱስ ዘሎኩም ሕይወት፣ ኣምላኽ ዚደልዮ፡ እዚ እዩ”፣“ጸሎት ኣዘውትሩ፣ ኣብ ጸሎትኩም ከኣ ንቑሓትን ኣመስገንትን ኩኑ።”[120]

# V. ጸሎት ውዳሴ

**2639** እግዚኣብሔር ኣምላኽ ምዃኑ፣ ብቐጥታ ዚገልጽን ዘረጋግጽን ጸሎት 213
እንተል’ዩ፡ ጸሎት ውዳሴ እዩ። ንኣምላኽ ምእንቲ ርእሱ ይውድሶ፣ ክብሪ ይህቦ፤
እዚ ኸኣ በቲ ዚገብሮን ዚፍጽሞን ብሕቱ ዘይኮነስ፣ በቲ ህላዌኡን ኵነቱን ጥራሕ
እዩ። ነኣኡ ኣብ ክብሩ ቅድሚ ምርኣዮም፡ እቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ ንጹሓት- ልቢ
ኣብ ዚረኽብዎ ብፁዓዊ ታሕጓስ፣ እዚ ጸሎት-ውዳሴ ኪሳተፍ ይርከብ። በዚ ጸሎት-

[115] ፊልጵ 2፡4፣ግ.ሓ 7፡60፣ሉቃ 23፡28፣34 ረአ
[116] ግ.ሓ 12፡5፣20፡36፣21፡5፣2 ቆሮ 9፡14 ረአ
[117] ኤፌ 6፡18-20፣ቆላ 4፡3-4፣1 ተሰ 5፡25 ረአ
[118] 2 ተሰ 1፡11፣ቆላ 1፡3፣ፊልጵ1፡3-4 ረአ
[119] 2 ጢሞ 2፡1፣ሮሜ 12፡14፣10፡1 ረአ
[120] 1 ተሰ 5፡18፣ቆላ 4፡2

ውዳሴ እምበኣር፣ መንፈስ ቅዱስ ምስ መንፈስና ሠሚሩ ደቂ-እግዚኣብሔር[121] ምዃንና ይምስክር፤ በቲ ኡንኮ ውሉድ(ክርስቶስ) ጸጋ-ውሉድነት ከምዝረኸብና፣ በኣኡ ኣቢልና ከኣ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ከምነኽብር ይነግር። ውዳሴ ነቲ ኩሉ ካልእ ዓይነት ጸሎታት ዚሓቍፍ፣ ምንጩን ዕላማኡን ናብ ዝኾነ፣ ናብ'ቲ "ኩሉ ካብኡ ዝኾነ፡ ምንባርና'ውን ነኣኡ ጥራሕ ዝኾነ፣ ናብ ሓደ እግዚኣብሔር-ኣቦ"[122] ይመርሐን የብጽሐን።

**2640** ቅዱስ ሉቃስ'ውን ኣብ ወንጌሉ፡ ብናይ ክርስቶስ ተኣምራትን መንክራትን ይድነቕን፡ ይውድስን፣ ኣብ'ቲ ናይ ግብረ ሓዋርያት መጽሓፉ'ውን እንተኾነ ነዚ ተኣምራት'ዚ ከም ተግባር መንፈስ ቅዱስ ከተኵረሉ ይረአ። እዚ ኸኣ፣ ነታ ማኅበር ኢየሩሳሌም፣ ብጴጥሮስን ዮሓንስን ዝተፈወሰ ስንኩል፣ በቲ ተኣምር ንኣምላኽ ክብሪ ዚህብ ሕዝቢ፣ ከምኡ'ውን እቶም "ተሓጕሶም ንቓል-ኣምላኽ ክብሪ ዝሃቡ"[123] ናይ ጺሲድያ ኣረማውያን የጠቓልል።

**2641** "ብመዝሙርን ብቕኔን ብመንፈሳዊ ዜማን ንሓድሕድኩም ተዘራረቡ፤
2587 ንጐይታ ብልብኹም እናዜምኩምን እናዘመርኩምን ከኣ፣ ንእግዚኣብሔር ስለኹሉ ነገር ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኩሉሳዕ ኣመስግንዎ"[124]። እቶም ቀዳሞት ማኅበራት-ክርስትና፣ ልክዕ ከምቶም መንፈስ ቅዱስ ኣስተንፊሱሎም ንሓዲስ ኪዳን ዝደረሱ፣ ንመጽሓፈ መዝሙራት ብሓዲስ መንገዲ ብምንባብ፣ በኣኡ ምሥጢረ ክርስቶስ ኪዝምሩ ተረኽቡ። ብናይ መንፈስ ቅዱስ ምሕዳስ ተደጊፎም'ውን፣ ኣምላኽ በቲ ኡንኮ ወዱ ብዝፈጸሞ፣ ዛጊት ዘይተሰምዐ ክውነት፣ ቅኔን መዝሙርን ኪደርሱ ከኣሉ። እዚ ኸኣ ምሥጢረ ሥጋዌኡ፣ንሞት ዝሰዓረ ሞቱ፡ ትንሣኤኡ፡ ናብ የማን-ኣቦኡ ዕርገቱን እዩ።[125] ስብሓተ-ኣምላኽ ማለት ውዳሴ-ኣምላኽ፡ ካብ'ዚ ናይ መላእ ሥነምጋቤ ድኅነት "ተኣምራዊ ስራሕ" ዚፍልፍል እዩ።[126]

**2642** "ቀልጢፉ ኪኸውን ናይ ዘለዎ" ግልጸት፡ ማለት ኣቡቀለምሲስ፣ ብናይ'ቲ
1137 ሰማያዊ ግብረ-ኣምልኾ[127] ዜማታትን፣ ብናይ'ቶም (ሰማዕታት) መሰኻኽር ኣማልድነትን ተሰንዩ ይፍጸም።[128] ንኢየሱስ ብዝሃብዎ ምስክርነቶም ምኽንያት ኣብ'ዚ ምድሪ ዝተሓርዱ ኩሎም ነቢያትን ቅዱሳንን፣ በቲ ዓቢይ ጸብእን ፈተናን ሓሊፎም፣ ናብ'ቲ መንግሥቲ(ኣምላኽ) ቀዲሞምና ዘለዉ ማእለያ ዘይብሎም፣ ናይ'ቲ ኣብ ዙፋን ተቐሚጡ ዘሎን፣ ናይ'ቲ በጊዕን ውዳሴን ክብርን ከዚሙ ይርከቡ።[129] እዛ ኣብ'ዚ ምድር'ዚ እትርከብ ቤተክርስትያን ድማ፣ ኣብ ሱታፌኦም

---

[121] ሮሜ 8፡16 ረአ
[122] 1 ቆሮ 8፡6
[123] ግ.ሓ 2፡47፣3፡9፣4፡21፣13፡48
[124] ኤፌ 5፡19፣ቆላ 3፡16
[125] ፊልጵ 2፡6-11፣ቆላ 1፡15-20፣ኤፌ 5፡14፣1 ጢሞ 3፡16፣6፡15-16፣2 ጢሞ 2፡11-13 ረአ
[126] ኤፌ 1፡3-14፣ሮሜ 16፡25-27፣ኤፌ 3፡20-21፣ይሁዳ 24-25 ረአ
[127] ራእ 4፡8-11፣5፡9-14፣7፡10-12 ረአ
[128] ራእ 6፡10
[129] ራእ 18፡24፣19፡1-8 ረአ

*ብምንባር፡ ኣብ መንጎ'ዚ ፈተናታት ከይና፡ ነቲ መዛሙርም ብእምነት ተዝይም። በዚ ናይ ልመናታት ኣማልድነትን ጸሎትን ገቢራ፣ ተጻይ ኩሉ ተስፋታት ኣብ ዝኾነሉ ሃለዋት ክትትስፎን፣ "ፍጹም ህያባት" ዘበለ ንዚልግሥ "ኣቦ ብርሃናት" ከተመስግንን ትርከብ።*[130] *ምእንት'ዚ እምነት ውጹእ ውዳሴ እዩ።*

**2643** *መሥዋዕተ ቅዳሴ ንኹሉ ዓይነት ጸሎታት ዘጠቓልልን ዚገልጾን እዩ።* 1330
*በቲ መላእ ኣካል-ክርስቶስ ንኽብሪ ስም-እግዚኣብሔር ዚቐርብ "ንጹሕ ወፈያ ወይ መሥዋዕቲ" እዩ።*[131] *ብናይ ምሥራቕን ምዕራብን ትውፊት ድማ፡ "መሥዋዕተ ውዳሴ" እውን እዩ።*

---

# ብሓጺር

**2644** *እቲ ንቤተክርስትያን ዚምህራን፣ ነቲ ኢየሱስ ዝበሎ ዘዘኻኽራን መንፈስ ቅዱስ፡ ተመሊሱ ነቲ ንቡርን ሥሩዕን መደብ ጸሎታት-ቡራኬ ልመና፡ ኣማልድነት፡ ምስጋና፡ ውዳሴ ብሓዲስ ኣገባብ ከምዚግለጽ ብምግባር ሕይወት-ጸሎት ኪምህራ ይርከብ።*

**2645** *እግዚኣብሔር ንሰብ ይባርኾ፣ ልቢ-ወድሰብ ድማ ተመሊሱ ነቲ ምንጪ-ኹሉ ቡራኬ ዝኾነ ኣምላኽ ይባርኾ ይምርቖ፡ በኣኡ ጽቡቕ ይዛረብ።*

**2646** *ምሕረትን ኅድገት-ኃጢኣትን፣ናይ መንግሥተ-ሰማያት ድልየትን፣ ዝኾነ ይኹን ካልእ ቅኑዕ ግድነትን፣ ናይ ጸሎት-ልመና ዕላማ እዩ።*

**2647** *ጸሎት-ኣማልድነት ኪበሃል ከሎ፣ ምእንት'ቲ ካልእ ዚግበር ጸሎት እዩ። ደረት የብሉን፣ ክሳብ ጸላእቲ'ውን ዚበጽሕ እዩ።*

**2648** *ዝኾነ ይኹን ታሕጓስን ሥቓይን፣ ኩሉ ዚፍጸም ክውነትን ዜድሊ ነገራትን፣ ምኽንያት-ምስጋና ኪኸውን ዚኽእል እዩ። ኣብ'ቲ ናይ ክርስቶስ ምስጋና ብምስታፍ፣ ንመላእ ሕይወትካ ኪወርሶ ዘለዎ እዩ። "ብኹሉ ኣመስግኑ"* (1ተሰ.5፡18)።

**2649** *ጸሎት ውዳሴ ረብሓ እትጽበየሉ ኣይኮነን፣ ናብ ኣምላኽ ዚዓርግ ጸሎት እዩ። ንኣምላኽ ምእንቲ ርእሱ ይውድስ ክብሪ ይህብ፣ እዚ ኸኣ በቲ ዚገብሮን ዚፍጽሞን ብሕቱ ዘይኮነስ፣ በቲ ህላዌኡን ኵነቱን ጥራሕ እዩ።*

---

[130] *ያዕ* 1፡17
[131] *ሚል* 1፡11 *ረአ*

# ምዕራፍ ክልተ

# ናይ ጸሎት ትውፊት

**2650** ጸሎት ኪበሃል ከሎ፣ ካብ ውሽጢ ጉስጉሱ ሃንደበት ብዚወጽእ ስምዒት
75 ጥራሕ ኪግመት የብሉን። ጸሎት ንምግባር፣ ሓደ ሰብ ናይ ጸሎት ድልየት
ኪህልዎ ይግባእ። ቅዱስ መጽሓፍ ብዛዕባ ጸሎት ንዚብሎ ምፍላጥ በይኑ'ውን
ኣኻሊ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ሓደ ሰብ ብኸመይ ከምዚጽሊ ኪመሃር ኪለማመድ'ውን
የድልዮ። በቲ ሕያውን መሕየውን ዝኾነ ትውፊት ማለት ምቅብባል (ቅዱስ
ትውፊት)፣ ኣብ ውሽጥ'ታ "ተኣምንን ትጽልን ማኅበር (ቤተክርስትያን)"[1] መንፈስ
ቅዱስ ነቶም ደቂ-እግዚኣብሔር ብኸመይ ከምዚጽልዩ ኪምህሮም ይርከብ።

**2651** ናይ ጸሎተ-ክርስትና ትውፊት ንርእሱ፣ ናይ እምነት ትውፊት
94 ዚኹስኰሰሉን ዚዓብየሉን ሓደ መንገዲ እዩ። እዚ ዚኾነሉ ድማ ብፍላይ ናይ
ሥነምጋቤ-ድኅነት ክውነትን ቃላትን ኣብ ልባቶም ብዚዝግቡ ኣመንቲ፣
ኣስተንትኖኦምን መጽናዕቶምን፡ ከምኡ'ውን፡ ናይ'ቲ ዚነብሩዎን ዘስተማቕሩዎን
መንፈሳዊ ሃለዋት ብዘለዎም ዓሚቕ ርድኢትን እዩ።[2]

## ኣንቀጽ 1
## ኣብ ናይ ጸሎት ምንጭታት

**2652** መንፈስ ቅዱስ፣ ኣብ ልብ'ቲ ዚጽሊ ሰብ፡ "ጉስጉሱ ናብ ዘለዓለምነት
694 ዚፍልፍል"[3] ሕያው ዓይኒማይ እዩ። ነኣኡ ኣብ'ቲ ምንጩ ዝኾነ ክርስቶስ
ክንቅበሎ ዚምህረና ባዕሉ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ብሓቂ'ውን፡ ካብ መንፈስ ቅዱስ
ንምስታይ ምእንቲ ከኽእለና፣ ክርስቶስ ደው ኢሉ ነኣና ዚጽበየሉ፣ ብዙሕ
ዓይኒማያት ኣብ ሕይወት-ክርስትና ኣሎ።

### ቃል-ኣምላኽ

**2653** ቅዱሳት መጻሕፍቲ ቀጺሎም ብምንባብ "ነታ መዘና ዘይብላ ፍልጠት
133 ኢየሱስ ክርስቶስ" ምእንቲ ኪመሃሩ፣ ቤተክርስትያን (ፊልጵ.3፡8) ንኹሎም
1100 ምእመናን-ክርስትና ኣጽኒዓን ኣበርቲዓን ትምዕዶም። ...ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን
ናይ ምውስሳእ መደብ ምእንቲ ኪህሉ፣ ጸሎት ብንባባት ቅዱሳት መጻሕፍቲ

[1] ቃል-ኣምላኽ DV 8
[2] ቃል-ኣምላኽ DV 8 ረአ
[3] ዮሓ 4፡14

ዝተሰነየ ኪኸውን ከምዚግበኦ ይዘክሩ። ከመይሲ ክንጽሊ ከሎና፡ ነኣኡ ኢና እንዛረብ፣ ነቲ መለኮታዊ ቃላቱ እንከነንብብ ከኣ ነኣኡ ጽን ኢልና ንሰምዕ"።[4]

**2654** መንፈሳውያን ደረስቲ ንወንጌል ማቴዎስ 7፡7 ኣሕጺሮምን ኣነጺሮምን እንኬቕርቡ፣ ብቓል-ኣምላኽ ተመጊቡ ኣብ ጸሎት ናይ ዚጽመድ ልቢ ኣተና ይገልጹ፡- "ኣብ ንባብ ድለዩ (ሃሰስ በሉ)፣ ኣብ ኣስተንትኖ ከኣ ክትረኽቡ ኢኹም፣ ኣብ ጸሎት-ሓሳብ ኳሕኹሑ፣ ኣብ ሰቂለኅሊና ከኣ ኪረሓወልኩም እዩ"[5]።

## ሊጡርግያ(ግብረ ኣምልኾ) ቤተክርስትያን

**2655** ኣብ ናይ ቤተክርስትያን ሥርዓተ-ኣምልኾ ምሥጢራት፣ ናይ ክርስቶስ ኮነ ናይ መንፈስ ቅዱስ ተልእኮት፣ ነቲ ኣብ ጸሎተይና ልቢ ዚቕጽል መደብ ምሥጢረ-ድኅነት ይእውጅን ይነግርን፣ ህልው ይገብርን፣ ንኻልኡት የሳትፍን። 1073
መንፈሳውያን ደረስቲ ሓድሓደ እዋን ንልቢ ምስ'ቲ መንበረ ታቦት (ምሥዋዕ) የመሳስልዎ። ጸሎት እንኪፍጸም ኮነ ብድሕሬኡ፣ ግብረ-ኣምልኾ ኣወሃሂዱን ኣዋዲዱን ይርከብ። ጸሎት፣ ወላ'ኳ "ብስቱር"[6] እንተተገብረ ወትሩ ጸሎት-ቤተክርስትያን እዩ፤ ምስ ቅድስት ሥላሴ ዚግበር ሱታፌ-ኅብረት እዩ።[7] 368

## መንፈሳዊ ኃይላት 1812-1829

**2656** ሓደ ሰብ፡ በታ ጸባብ ማዕጾ-እምነት ናብ መደብ ግብረ-ኣምልኾ እንኪኣቱ፣ ናብ ጸሎት ኣትዩ ማለት እዩ። በቲ ናይ ህልውናኡ ምልክታት ገቢርና ንገጽ-ኣምላኽ ንደልን ሃሰስ ንብልን፤ ነቲ ቓሉ ክንሰምዕን ክንሕሉን ንብህግ።

**2657** ናይ ክርስቶስ ዳግማይ ምጽኣቱ እናተጸበና፣ ግብረ-ኣምልኾ ክንፍጽም ዚመርሓና፣ ብተስፋ ክንጽሊ ዚምህረና መንፈስ ቅዱስ እዩ። በንጻሩ ድማ እቲ ጸሎት-ቤተክርስትያን ኮነ ውልቃዊ ጸሎት ኣባና ተስፋ የነቓቕሕ። መጽሓፈ መዝሙራት፡ ብፍላይ ከኣ በቲ ግልጽን ርኡይን፡ እሞ ኸኣ በብዓይነቱ ዝኾነ ኣዘራርባኡን ኣቀራርባኡን፣ ተስፋና ኣብ ኣምላኽ ንኽንተክል ይምህረና። "እግዚኣብሔር ኪረድኣኒ ተዓጊሠ ተጸበኹዎ፣ ንሱ'ውን ናባይ ደኒኑ ኣውያተይ ሰምዐ"[8]። ቅዱስ ጳውሎስ ድማ- "ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣዚኹም ብተስፋ ምእንቲ ክትህብትሙስ፣ እቲ ዝኣመንኩምዎ ኣምላኽ-ተስፋ ብዅሉ ሓጐስን ሰላምን ይምላእኩም"[9] ኪብል ጸለየ።

---

[4] ቃል-ኣምላኽ DV 25;St. Ambrose,De officiis ministrorum.1, 20, 88፡ PL 16,50 ረአ
[5] ጉነ ቸርቶዛዊ Scala Paradisi፡ PL 40, 998
[6] ማቴ 6፡6 ረአ
[7] GILH 9.
[8] መዝ 40፡2
[9] ሮሜ 15፡13

**2658** "በቲ ዝተዋህበና መንፈስ ቅዱስ ፍቕሪ-ኣምላኽ ኣብ ልብና
826 ስለዝመልአ ኸኣ፡ እታ ተስፋ ኣይተሕፍርን እያ"።[10] ብግብረ-ኣምልኾኣዊ ሕይወት ዝተሓንጸት ጸሎት፡ ንኹሉ ነገር፡ ናብ'ቲ ብኽርስቶስ ዝተፈቐርናሉን፣ ከም'ቲ ዘፍቀረና፡ ብፍቕሪ ክንምልሸሉ ናብ ዘኽእለና መደብ ፍቕሪ ስሒቡ የምጽኦ። ፍቕሪ ምንጪ ጸሎት እዩ። ካብኡ ዚቐድሕ ዘበለ ኣብ ናይ ጸሎት ዝለዓለ ጠርዚ ይበጽሕ። እዚ ኸኣ ብቓላት ቅዱስ ዮሓንስ ቪያነ ቆሞስ ኣርስ፡ ብኸምዚ ዚስዕብ ይግለጽ፡-

> *ኦ! ኣምላኸይ ኣነ ኣፍቅረካ ኣሎኹ። እታ ሓንቲ ባህገይ'ውን ክሳብ'ታ መወዳእታ ትንፋስ ሕይወተይ ንኽፍቅረካ ጥራሕ'ያ። መወዳእታ ብዘይብሉ ፍቕሪ እትፍቀር ኣምላኽ! ኣፍቅረካ፤ ነኣኻ ብዘይምፍቃር ካብ ምንባር፣ ነኣኻ ብምፍቃር ክመውት እመርጽ። ኦ! ኣምላኸይ! ኣፍቅረካ ኣሎኹ፤ እታ ሓንቲ ዝልምነካ ጸጋ ድማ፡ ንዘለዓለም ንኽፍቅረካ ጥራሕ'ያ....ኦ! ጐይታይ ከምዘፍቅረካ መልሓሰይ ነፍስወከፍ ደቒቕ ክትገልጸ እኳ እንተዘይከኣለት፣ ልበይ ግን መጠን'ቲ ተተንፍሶን ተሃርሞን ትርግታ ክትደግሞ ትደሊ።*[11]

## "ሎሚ"

**2659** ኣብ ገሊኡ ግዜያት፡ ቃል-ኣምላኽ ብምስማዕን፣ ኣብ'ቲ ፋሲካዊ
1165 ምሥጢሩ ብምስታፍን ጸሎት ክንመሃር ንርከብ፤ ጸሎት ኣባና ጐስጐሱ ምእንቲ
2837 ኪወጽእ ግን፣ ኣብ ኩሉ ግዜያት፣ ኣብ ነፍስወከፍ ዕለታዊ ተግባራት ወይ
305 ክውነታት መንፈሱ ነኣና ይወሃብ። ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦና ክንጽልዮ ብዛዕባ ዘሎና፡ ኢየሱስ ዝመሃሮ ኹሉ፡ ምስ'ቲ ብዛዕባ ኃልዮት-ኣምላኽ ዝመሃሮ ፍልልይ የብሉን።[12] ግዜ ኣብ ኢድ-እግዚኣብሔር ኣቦ እዩ፤ ነኣኡ ክንራኸቦ እንኽእል ድማ ትማሊ ወይስ ጽባሕ ዘይኮነስ፣ ሎሚ ኣብ'ዚ ህልው ግዜ ጥራሕ እዩ፡- "ሎሚ ቃሉ እንተደኣ ሰሚዕኩም ልብኻትኩም ኣይተትርሩ"።[13]

**2660** ኣብ ነፍስወከፍ ዕለትን እዋንን ዚፍጸም ጸሎት፣ ሓደ ካብ'ቲ "ንንኡሳን
2546 ሕፃናት"፣ ነቶም ኣገልገልቲ ክርስቶስ፡ ንናይ ኣንቀጸ ብፁዓን መሳኺን ዝተገልጸ
2632 ምሥጢር መንግሥተ ሰማያት እዩ። እቲ መንግሥቲ ፍትሕን ሰላምን ምእንቲ ኪመጽእ'ሞ፡ ኣብ ጕዕዞ-ታሪኽ ጽልዋኡ ምእንቲ ከንብር፡ ንምጽኣት'ዚ መንግሥት'ዚ ምጽላይ ቅኑዕን ግቡእን እዩ። ኣብ'ቲ ተራን ትሑትን ዝኾነ ዕለታዊ ሃለዋት'ውን እንተኾነ፡ ኩሉ ናይ ጸሎት ረድኤት ኣገዳስን ኣድላዪን እዩ፤ ኩሉ ዓይነት ጸሎት ድማ፣ ጐይታ ምስ መንግሥተ-ሰማያት ዘመሳስሎ መባኹዕቲ ኪኸውን ዚኽእል እዩ።[14]

---

[10] ሮሜ 5፡5
[11] ቅ.ዮሓንስ ቪያነ Prayer
[12] ማቴ 6፡11፣ 34 ረአ
[13] መዝ 95፡7-8
[14] ሉቃ 13፡20-21 ረአ

## ብሓጺር

2661 በቲ ሕያው ዝኾነ ናይ ቅዱስ ትውፊት ምምሕልላፍ ገቢሩ፣ ኣብ ቤተክርስትያን መንፈስ ቅዱስ ንደቂ-እግዚኣብሔር ምጽላይ ይምህሮም።

2662 ቃል-ኣምላኽ፣ ሊጡርግያ ቤተክርስትያን፣ ከምኡ'ውን መንፈሳዊ ኃይላት፣ እምነትን ተስፋን ፍቕርን፣ እዚ ኹሉ ምንጪ ጸሎት እዩ።

# ኣንቀጽ 2
# ኣገባባት ጸሎት

2663 ኣብ'ቲ ናይ ጸሎት ሕያውን ነባርን ትውፊት፣ ነፍስወከፍ ቤተክርስትያን፡ ምስ'ቲ ታሪኻውን ማኅበራውን ሕንጸተሰባውን ሃለዋታ ዚሰማማዕ ቋንቋ-ጸሎት፣ ማለት ቃላትን፣ ጣዕመ-ዜማን፤ ሥርዓተ-ኣሣእልን (ኣይቆና) ንምእመናና ተቕርበሎም። ከም'ዚ ዝበለ ኣገባብ ጸሎት፡ ምስ'ቲ ኣገባብ ሓዋርያዊት እምነት ዚሰማማዕ ምዃኑን ዘይምዃኑን ናይ ምምማይ ዕማም ዘለዎ፣ እቲ ናይ ቤተክርስትያን ሥልጣነ-ትምህርት እዩ[15]። እዚ ሓዋርያዊ እምነት ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ብዘለዎ ርክብ፣ ትርጓሜኡን ዕላማኡን ምትንታን ምግላጽ፣ ናይ ጓሶት-ነፍሳትን መምህራን-ትምህርተ ክርስቶስን ተግባር እዩ። 1201

## ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚዓርግ ጸሎት

2664 ብዘይካ ክርስቶስ ካልእ መንገዲ ጸሎተ-ክርስትና የልቦን። ጸሎትና ማኅበራዊ ይኹን ውልቃዊ፡ ድምጻዊ ይኹን ውሽጣዊ ስቱር፣ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ኪበጽሕ ወይ ኪቐርብ ዚኽእል፣ "ብስም" ኢየሱስ እንተጸለና ጥራሕ እዩ። እቲ ናይ ኢየሱስ ዝተቐደሰ ሰብኣዊ ባሕሪኡ፡ እምበኣር፣ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ንምጽላይ፣ መንፈስ በኣኡ ገቢሩ ዚምህረና መንገዲ እዩ። 2780

## ጸሎት ናብ ኢየሱስ

2665 ብቓል-ኣምላኽን ብግብረ-ኣምልኾን ዝተኹስኰሰ ጸሎት-ቤተክርስትያን፡ ናብ ጐይታ ኢየሱስ ምጽላይ ይምህረና። እዚ ጸሎት-ቤተክርስትያን፡ ልዕሊ ኹሉ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚቐርብ'ኳ እንተኾነ፣ ኣብ ኩሉ ሊጡርግያዊ (ሥርዓት 451

[15] ቃል-ኣምላኽ DV 10 ረአ

ኣምልኾኣዊ) ልምድን ትውፊትን ከምዚረአ ንክርስቶስ ዚቐርብ ኣገባብ ጸሎት'ውን የጠቓልል እዩ። ገሊኡ መዛሙር፡ ኣብ ጸሎት-ቤተክርስትያን ኮነ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብዚወሃብ ትርጓሜ፣ ናብ ክርስቶስ ዚቐርብ ቃላት-ምህለላ ኣብ ከናፍርና የንብረልና፣ ኣብ ልባትና የኃትመልና፤- ወልደ-እግዚኣብሔር፣ ቃል-ኣምላኽ፣ ጐይታ (እግዚእ)፣ መድኃኒ፣ በጊዕ እግዚኣብሔር፣ ንጉሥ፣ ወልድ ፍቁር፣ ወልደ (ማርያም) ድንግል፣ ሕያዋይ ጓሳ፣ ሕይወትና፣ ብርሃንና፣ ተስፋና፣ ትንሣኤና፣ ፈታዊ ደቂሰብ...።

**2666** እንተኾነ፡ እታ ኩሉ ኣጠቓሊላ እትሕዝ ሓንቲ ስምስ፣ እታ ወልደ-
432 እግዚኣብሔር ኣብ ተሠግዎቱ (ሥጋዌኡ) ዝተቐበላ፡ "ኢየሱስ" እትብል ስም
435 እያ። እቲ መለኮታዊ ስም ብከናፍር-ሰብ ኪድመጽ ዘይከኣል እዩ፤ እንተኾነ ቃል-
እግዚኣብሔር ነዚ ሰብኣዊ ባሕሪና ብምልባስ፡ ነቲ ስሙ ነኣና ኣሕሊፉ ሃቦ'ሞ፣ ንሕና ድማ "ኢየሱስ"- "ያህዌህ የድኅን"[16] ቢልና ክንጽውዖ ኣኽኣለና። እዚ "ኢየሱስ" ዚብል ስም ኩሉ ዘጠቓልል፣ ማለት ንኣምላኽን ሰብን ንመላእ ሥነምጋቤ-ፍጥረትን ድኅነትን ዚሓቍፍ እዩ። "ኢየሱስ" ቢልካ ምጽላይ ነቲ ኣባኻ ዘሎ ምጽዋዕ ወይ ምምህላል እዩ። ስሙ ጥራሕ'ዩ ነቲ ዘመልክቶ ህላዌ ሒዙ ዚርከብ። ኢየሱስ እቲ ካብ ሞት ዝተንሠአ እዩ፤ ዝኾነ ይኹን ስም-ኢየሱስ ጸዊዑ ዚምህለል ድማ፣ ነቲ ዘፍቀሮን ምእንታኡ ርእሱ ኣሕሊፉ ዝሃበን ወልደ-እግዚኣብሔር ይቕበል ኣሎ ማለት እዩ።[17]

**2667** እዚ ዝዓይነቱ ተራን ገርህን ናይ እምነት ጸሎት፣ ኣብ በበይኑ ናይ
2616 ምሥራቕ ኮነ ምዕራብ ትውፊት-ጸሎት ኪምዕብል ከኣለ። ኣብ ምድረበዳ ሲና፡ ሶርያ፡ከምኡ'ውን ኣብ ደብረ ኣቶስ ዝነበሩ መንፈሳውያን ደረስቲ ዘመሓላለፉልና፣ ኣዝዩ ዝውቱር ዝነበረ ጸሎት ምህለላ፣- *"ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ወልደ-እግዚኣብሔር፡ ነኣና ንኃጥኣን መሓረና"* ዚብል እዩ። ነቲ ኣብ ፊልጵ. 2፡9-11 ዘሎ ንክርስቶስ ዚርኢ መወድስ፡ ብርሃን ምስ ዚልምኑ ምስ ናይ'ቲ መጸብሓውን (ኣካቢ ቀረጽ) ዓይነሥዉርን ኣውያት ዘወሃሃደ እዩ።[18] በዚ ጸሎት'ዚ እቲ ልቢ ርሑው ኮይኑ፡ ንሰብኣዊ ውርደትን፣ ናይ መድኃኒ ምሕረትን ይቕበል።

**2668** ነዚ ቅዱስ ስም-ኢየሱስ እናጸዋዕካ ምምህላል፣ ወትሩ እቲ ገርህን
435 ዝቐለለን ጸሎት እዩ። እዚ ዝተቐደሰ ስሙ፡ በቲ ንቐሕን መስተውዓልን ልቢ ብትሕትና ኪደጋገም ከሎ፣ እቲ ጸሎት ኣብ ብዝሒ ቃላት ዝተሓንጸ[19] ዘይኮነስ፣ ኣብቲ ዚስመ ቓል ጠቢቑ ዝሓዘን- "ብትዕግሥቲ'ውን ፍረ ዚፈርን እዩ"[20]። ኣብ መንጎ መንም ካልእ ነገራት ዚፍጸም ዘይኮነስ፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ገቢሩ ንኹሉ

---

[16] ዘፀ 3፡14፣ 33፡ 19-23፣ ማቴ 1፡21 ረአ
[17] ሮሜ 10፡13፣ ግ.ሓ 2፡21፣ 3፡15-16፣ ገላ 2፡20
[18] ማር 10፡46-52፣ ሉቃ 18፡13 ረአ
[19] ማቴ 6፡7 ረአ
[20] ሉቃ 8፡15 ረአ

ተግባራትና ሕይወት ዚህብን ዚልውጥን ናይ ፍቕሪ-ኣምላኽ ቀንዲ ተግባር ስለዝኾነ፣ እዚ ጸሎት'ዚ፡ "ኣብ ኩሉ እዋናት" ኪዝውተር ዚከኣል ጸሎት እዩ።

**2669** ነቲ ቅዱስ ስሙ ብዚጽውዖን ዚምህለሎን መጠን፣ ጸሎት-ቤተክርስትያን፡ 478
ንልበ-ኢየሱስ ዚግባእ ኣኽብሮን ስብሓትን የቕርብ። ብፍቕሪ ደቅሰብ፡ ብኃጢኣትና 1674
ኪውጋእ ንዝፈቐደ፡ ነቲ ዝተሠገወ ቃልን፡ ልቡን ኣምልኾ ይፍጽም። ኣሰር መድኃኒ ሒዙ ድማ፣ ጸሎተ-ክርስትና መንገዲ መስቀል ምኽታል ይፈቱ። ካብ መጋብእያ-ጲላጦስ ናብ ጎልጎልታ፡ ናብ'ቲ መቓብርን ዚወስድ ኩሉ፣ ብቕዱስ መስቀሉ ንዓለም ናይ ዝተበጀወ ኢየሱስ መንገዲ ዜርኢ እዩ።

## "መንፈስ ቅዱስ ነዓ"

**2670** "ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ እንተዘይኮይኑ "ኢየሱስ ጐይታ" ኪብል 683
ዚኽእል ሓደ'ኳ የልቦን።[21] ናብ ኢየሱስ ዚቐርብ ጸሎትና እናከንጀምር፡ በቲ 2001
ኣቐዲሙ ዚመጽእ ጸጋኡ ገቢሩ፣ ኣብ መንገዲ ጸሎት ዚመርሓናን ዘብርሃናን 1310
መንፈስ ቅዱስ እዩ። ንክርስቶስ እናዘኻኽረ ምጽላይ ዚምህረና ካብ ኮነ፣ ናብ መንፈስ ቅዱስ ከይጸለናኸ ከመይ ኢልና ክንተርፍ ንኽእል? በዚ ምኽንያት'ዚ እምበኣር፡ መዓልቲ-መጽአ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ምፍላምን ምፍጻምን ኣገደስቲ ተግባራትና፡ ንመንፈስ ቅዱስ ጸዊዕና ክንምህለል ቤተክርስትያን ትዕድመና።

> *መንፈስ ቅዱስ ኪምለኽ ኪስገደሉ ዘይግባእ እንተደኣኮይኑ፣ ብጥምቀት ገቢሩ ከመይ ኢሉ መለኮት ከልብሰኒ ይኽእል? ስግደት ዚግበኦ እንተደኣ ኮይኑኸ፡ ኪምለኽ ኣይግብኦን ማለት ድዩ?*[22]

**2671** ንመንፈስ ቅዱስ ዚቐርብ እቲ ልሙድ ዓይነት ልመና፣ ብኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ኣቢሉ፣ እግዚኣብሔር-ኣቦ ነቲ መጸናንዒ መንፈስ ኪሰደልና ዚግበር ምህለላ እዩ።[23] ናይ'ዚ መንፈስ ሓቂ ህያብ ኪልግሥ ምኳኑ፣ ቃል ኣብ ዝኣተወሉ ግዜ፣ እቲ ልመና ብስሙ ኪቐርብ ከምዚግባእ ኢየሱስ ኣበርቲዑ የመልከት።[24] እንተኾነ እቲ ኣዝዩ ገርህይናን ቀጥተይናን ዝኾነ ጸሎት'ውን "መንፈስ ቅዱስ ነዓ" ዚብል ጥንታዊ ልሙድ እንኪኸውን፣ ነፍስወከፍ ሊጡርግያዊ ሥርዓትን ትውፊትን፣ ኣብ ናይ ዚቅን ቅኔን መደብ ዝማሬ ዘማዕበሎ እዩ፤

> *ኦ! መንፈስ ቅዱስ ነዓ! ንልቢ ምእመናንካ ምልኣዮ፤ ናይ ፍቕርኻ ሓዊ ኣብኣቶም ኣንድድ።*[25]
>
> *ኣብ ኩሉ ቦታ ዘሎኻን፣ ንኹሉ እትመልእን፣ ናይ ኩሉ ሠናያት መዝገብን፣ ናይ ኩሉ ሕይወት ምንጭን ዝኾንካ፣ ሰማያዊ ንጉሥ፣ መጸናንዒ መንፈስ፣*

---

[21] 1 ቆሮ 12፡3
[22] ቅ.ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ Oratio, 31, 28፡ PG 36, 165.
[23] ሉቃ 11፡13 ረኣ
[24] ዮሓ 14፡17፣ 15፡26፣ 16፡13 ረኣ
[25] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ Pentecost, Sequence.

> *መንፈስ ሓቂ፣ ነዓ ኣብ ማእከልና ንበር፣ ንስኻ ብኹለንትናኻ ኂሩት ዝኾንካ፡ ኣንጽሓና፡ ኣድኅነና።*[26]

**2672** *ንመላእ ኹለንትናና ብቕብኣቱ ዚመልእ መንፈስ ቅዱስ፣ ንሱ ናይ*
695 *ጸሎተ-ክርስትና ውሽጣዊ መምህርን ጐይታን እዩ። ናይ'ቲ ሕያው ዝኾነ ትውፊት ጸሎት ዋና ቀራጺ ሓናጺ እዩ። ብርግጽነት ንምዝራብ፣ ክንድ'ቶም ብዝሒ ጸለይቲ ሰባት፣ ብዝሒ መንገድታት-ጸሎት ኣሎ። እንተኾነ ኣብ ኵሉን ምስ ኵሉን ዚሰርሕ እቲ ሓደ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ጸሎተ ክርስትና ናይ ቤተክርስትያን ጸሎት ኮይኑ ዚርከብ ድማ ሳላ ሱታፌ(ኅብረት) መንፈስ ቅዱስ እዩ።*

## ምስ ቅድስት ወላዲተ-ኣምላኽ ሱታፌ

**2673** *ኣብ ጸሎት እምበኣር፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ምስ'ቲ ኡንኮ ኣካለ-ወልድ*
689 *ኣብ'ቲ ክብሪ ዝለበሰ ሰብኣዊ ባሕሪኡ የወሃህደና። በኣኡን ኣብኡን ድማ እቲ ብመንፈስ ውሉድ ዚግበር ጸሎትና፡ ኣብ ቤተክርስትያን ምስ ኣደ ኢየሱስ ይጽንብረና።*[27]

**2674** *ቃል-ብሥራት ብዝተነግራ ግዜ፡ ማርያም ብመንፈስ-እምነት ሕራይ*
494 *ዝበለቶ ቃል፣ ኣብ እግሪ-መስቀል(-ወዳ) ኮይና'ውን ከይተጠራጠረት ክትሕልዎ ተረኺበት። ካብ ሽው ኣትሒዙ፡ እቲ እናትነታ ናብ'ቶም "ብድንገትን ጸበባን ተኺቢቦም፡ ጋና ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ዚጐዓዙ"*[28] *ዘለዉ ኣኅዋትን ኣኃትን-ወዳ ናብ ኵሎም ተዘርጊሑን ተባጺሑን። እቲ ኡንኮ ዓራቒ ኢየሱስ፡ ንሱ ናይ ጸሎትና መንገዲ እዩ። ኣደኡን ኣደናን ዝኾነት ማርያም ነኣኡ ግልጽትን ንጽርትን እያ። ንሳ "ነቲ መንገዲ ተርኢ"፡ ናይ ምሥራቕን ምዕራብን ንቡርን ጥንታውን (ሥርዓተ-ሥእሊ) ኣይቆና ከምዘመልክቶ ከኣ ንሳ ንባዕላ ናይ'ቲ መንገዲ "ምልክት" እያ።*

**2675** *ኣደ-ኣምላኽ ናብ ዝኾነት ድንግል ዚቐርብ፣ ኣብ ምሥጢራቱ ኣብ*
970 *ዚግለጽ ኣካል-ክርስቶስ ንዘተኮረ ጸሎት፡ ኣብያተክርስትያናት ከስፍሖኦ ዝተረኽባ፣*
512:2619 *ማርያም ምስ መንፈስ ቅዱስ ካብ ዘለዋ ምትሕብባር ብምብጋሥ እየን። እዚ ጸሎት'ዚ ዚግለጸሉ፣ ቍጽሪ ዘይብሉ ናይ ዝማሬ ዚቕን ቅኔን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዚቐርብ ምስጋና፡ መፈለምታን መፈጸምታን ኣብ መንጎ ዚድገም ጸሎታት እናተባራረየ ዚቐርብ ክልተ ምንቅስቓሳት ኣሎ፡- በቲ ቀዳማይ፡ ነታ ትሕትቲ ኣገልጋሊቱ፡ ነኣኣ ኮነ በኣኣ ኣቢሉ ኣምላኽ ንዓሌትሰብ ንዝፈጸሞ "ዓበይቲ ነገራት" ብምዝካር ንኣምላኽ የመስግን የዕቢ፤*[29] *በቲ ካልኣይ፣ ናይ ደቂ-እግዚኣብሔር ልመናን ምስጋናን ንኣደ-ኢየሱስ ብሕድሪ የረክባ፣ ምኽንያቱ ሽኣ፡*

---

[26] ሊጡርግያ ቢዛንቲን Pentecost Vespers, Troparion.
[27] ግ.ሓ 1፡14 ረአ
[28] ብር.ኣሕ. LG 62
[29] ሉቃ 1፡46-55 ረአ

በኣኣ ኣቢሉ ወልደ-እግዚኣብሔር ንዝለበሶ ሰብኣዊ ባሕርይ ሕጂ ንሳ ትፈልጦ ኣላ።

**2676** እዚ ድርብ ምንቅስቓስ ዘለዎ ጸሎት ማርያም፣ ኣብ'ቲ ጸሎት "ሰላም ነኣኺ ኦማርያም" ዕዙዝ ዝኾነ መግለጺ ይረክብ፡

*ሰላም ነኣኺ ኦ! ማርያም(ኦ ማርያም ተሓጎሲ)።* እዚ ጸሎት'ዚ በቲ 722
ናይ ገብርኤል መልኣኽ ቃል-ሰላምታ ይጅምር። እግዚኣብሔር ባዕሉ እዩ፡ በቲ
መንጎይና መልኣኹ ገቢሩ ንማርያም ሰላምታ ዘቕርበላ። ነዚ ናይ ማርያም ሰላምታ
ኣብ ጸሎትና ክንጥቀመሉ እንደፍር፡ ኣምላኽ ናብ'ዛ ትሕትቲ ኣገልጋሊቱ
ብዘቕረቦ ሰላምታ ኮይኑ፣ በቲ ኣብኣ ዝረኸቦ ታሕጓስ ከኣ ከሓጉሰና ይርከብ።[30]

*"ምልእተ-ጸጋ (ጸጋ ዝመልኣኪ) እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ።* እዚ 490
ብመልኣኽ ዝተነግራ ክልተ ናይ ሰላምታ ብሂል፡ ሓደ ነቲ ካልእ ዘብርህ እዩ።
ማርያም ብጸጋ ዝመልአት እያ፣ ምኽንያቱ ኸኣ እግዚኣብሔር ምስኣ እዩ ዘሎ።
እቲ መሊኡዋ ዘሎ ጸጋ ድማ፡ ናይ'ቲ ምንጪ-ጸጋ ዝኾነ ኣምላኽ ህልውና ብቐንዱ
እዩ። "ኦ (ጓል) ጽዮን…ተሓጎሲ…እግዚኣብሔር ኣምላኽኪ ኣብ ማእከልኪ
እዩ"[31]። "ኣምላኽ ባዕሉ መሕደሪኡ ዝገበራ ማርያም፡ ብኣካል፡ ጓል ጽዮን፡ ታቦተ
ኪዳኑ፣ ጐይታ ብኽብሪ ዚሓድረላ ስፍራ እያ። ንሳ ኣብ መንጎ ደቅሰብ…መሕደሪ-
ኣምላኽ" ኮነት።[32] ማርያም ብጸጋ ዝመልአት ከም ምዃና መጠን፣ ነቲ ኣብኣ
ኪሓድር ዝመጸአን፣ ንሳውን ንዓለም ክትህቦ ተሰናድያ ዘላ፣ ነኣኡ ምሉእ
ብምሉእ ዝተዋህበት እያ።

*ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፤ ናይ ከርሥኺ ፍረ ዝኾነ ኢየሱስ* 435
*ከኣ ቡሩኽ እዩ።* ብድሕር'ቲ ናይ መልኣኽ ቃል-ሰላምታ፡ ነዚ ናይ ኤልሣቤጥ 146
ቃል-ሰላምታ ንደግም። "ብመንፈስ ቅዱስ ዝመልኤት"፡ ንማርያም "ብፅዕቲ" ካብ
ዚብልዋ ሠንሰለት-ወለዶታት፣ ኤልሣቤጥ ቀዳማይ ቦታ ሒዛ ትርከብ።[33] "እታ
ዝኣመነት ብፅዕቲ እያ"[34]። ማርያም ካብ ኣንስቲ ብፅዕቲ ኮይና ዝተረኽበት፡
ቃል-ኣምላኽ ከምዚፍጸም ስለዝኣመነት እያ። ኣብርሃም ብምኽንያት እምነቱ፡
ንኹሎም ሕዝብታት-ምድሪ ምኽንያት-በረኸት ኮነ።[35] ማርያም ድማ ብእምነታ፡
ኣደ-ኣመንቲ ኮነት። በኣኣ ኣቢሎም ከኣ ነቲ በረኸት-ኣምላኽ፣ "ፍረ ከርሣ" ዝኾነ
ኢየሱስ ኵሎም ኣሕዛብ-ምድሪ ይቕበልዎ።

**2677** *ቅድስት ማርያም፣ ኣደ ኣምላኽ።* ምስ ኤልሣቤጥ ብምዃን "ኣደ 495
ጐይታይ ናባይ ክትመጽእከ፡ እዚ ካበይ ኮነለይ?"[36] ክንብል ንድነቕ። ንወዳ

[30] ሉቃ 1:48፣ ሰፎ፡ 3:17 ረአ
[31] ሰፎ፡ 3:14፣ 17a
[32] ራእ 21:3
[33] ሉቃ 1:41፣ 48
[34] ሉቃ 1:45
[35] ዘፍ 12:3 ረአ
[36] ሉቃ 1:43

ኢየሱስ ስለ ዝሃበትና፣ ማርያም ኣደ-ኣምላኽን ኣደናን እያ። ኵሉ ኃልዮትናን ጸሎታትናን ነኣኣ ሕድሪ ክንህባ ንኽእል፤ ከም'ቲ ምእንቲ ርእሳ እትጽልዮ፡ ምእንታና'ውን ትጽሊ እያ። "ከም'ቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ"[37]። ናብኣ ከነማሕፅን ከሎና፣ምስኣ ሓቢርና፡ ናብ ፍቓድ-ኣምላኽ ርእስና ነማዕቍብ፣"ፍቓድካ ይኹን"።

*ሕጂን ብግዜ ሞትናን ነኣና ንኃጥኣን ለምንልና።* ማርያም ክትጽልየልና
1020 ብምሕታትና፡ ድኹማት ኃጢኣተይናታት ምዃንና ንእመን፣ ኣብ'ታ ኵለንትናኣ ቅድስት ዝኾነት "ኣደ-ምሕረት" ርእስና ነማዕቍብ ኣሎና ማለት እዩ። ሕጂ በዚ መዋዕል-ሕይወትና (ሎሚ) ርእስና ነኣኣ ነወፊ። እዚ ሕጂ እንቕርቦ ምሕጽንታና እውን ድሮ ብሕጂኡ ሰፊሑ፣ "ነቲ ሰዓት-ሞትና" እውን ከይተረፈ፡ ናብ ሓለዋኣ ከነማዕቍቦ ንርከብ። ኣብ ሞት-ወዳ ኣብ እግሪ-መስቀል ከምዝነበረት፡ ሽዑ'ውን (ኣብ ግዜ ሞትና) ምሳና ትኹን። ኣብ'ቲ ሰዓት ኅልፈትና[38] ከም መጠን ኣደና ተቐቢላ፣ ናብ መንግሥተ ሰማይ ናብ ወዳ ኢየሱስ ትምረሓና።

**2678** ኣብ ሃገራት ምዕራብ፣ ናይ ማእከላይ ዘመን መንፈሳውነት፣ ንሕዝቢ
971 ከም ናይ ጸሎተ-ሰዓታት (መዝሙረ-ዳዊት) መተካእታ ዝኾነ፡ ጸሎተ መቑጸርያ
1674 ኣማዕበለ። ኣብ ወገን ምሥራቕ እቲ 'ኣካቲስቶስ' ዝተሰምየ" ምህለላዊ ጸሎት ሊጣንያ፣ ከምኡ'ውን "ፓራክለዚስ" ዝተባህለ፣ ኣብ ኣብያተክርስትያን ቢዛንቲን፡ ኣብ ጐድን'ቲ ዝማሬ ጸሎት ሰዓታት ይርከብ። ኣብ ትውፊትን ልምድን ኣርመን፣ ቅብጢ፣ ሶርያ ግን፡ ንወላዲተ ኣምላኽ ዚቐርብ ንኣኽብሮ ማርያም ዚርኢ ፍቱው መወድስን ማኅሌትን ይምረጽ። እንተኾነ ኣብ'ቲ "ሰላም ነኣኺ ኦማርያም" ዚብል ጸሎት ኮነ ኣብ'ቲ ጸዋሬ-መለኮት ዚብል፣ እቲ ናይ ቅዱስ ኤፍሬም ወይ ቅዱስ ጎርጎርዮስ በዓል ናረክ ግጥምን መወድስን ተመሳሳሊ፣ እቲ ትውፊት-ጸሎት'ውን ብመሠረቱ ሓደ እዩ።

**2679** ማርያም ናይ ጸሎት ፍጽምቲ ኣብነትን፡ ናይ ቤተክርስትያን ኣምሳልን
967 እያ። ናብኣ ክንጽሊ ከሎና ምስኣ ሓቢርና፣ ንድኅነት-ሰባት ኢሉ ወዱ ኣብ
972 ዝሰደደ ናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ መደብ ንጽመድ ኣሎና ማለት እዩ። ልክዕ ከም'ቲ ጐይታ ዘፍቅሮ ረድእ፣ ንኣደ-ኢየሱስ ኣብ ቤትና ተቐቢልናያ[39]፤ ምኽንያቱ ሽኣ ንሳ ኣደ ኵሎም ሕያዋን ኮይና እያ። ምስኣን ናብኣን ክንጽሊ ንኽእል ኢና። ጸሎት ቤተክርስትያን ብጸሎት-ማርያም ይብርትዕን፡ ብተስፋ ድማ ምስኡ ይወሃሃድን።[40]

---

[37] ሉቃ 1፡38
[38] ዮሓ 19፡27 ረአ
[39] ዮሓ 19፡27 ረአ
[40] ብር.ኣሕ. LG 68-69.

## ብሓጺር

2680 ጸሎት፡ ብቐዳምነት ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ እዩ ዚቐርብ። ናብ ኢየሱስ'ውን ኪቐርብ ይከኣል፣ ብፍላይ ነቲ ቅዱስ ስሙ ብምጽዋዕ፣ "ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ወልደ-እግዚኣብሔር ነኣና ንኃጢኣተይናታት መሓረና"።

2681 "ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ እንተዘይኮይኑ፡ ኢየሱስ ጐይታ እዩ፣ ኪብል ዚኽእል ሓደ'ኳ የልቦን(1ቆሮ. 12፡3)፤ ከም መጠን ውሽጣዊ መምህር ጸሎተ-ክርስትና ንመንፈስ ቅዱስ ብምጽዋዕ ክንምህለል፡ ቤተክርስትያን ትዕድመና።

2682 ማርያም ምስ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ ንጹር ተሓባባርነት ስለዘለዋ፣ ቤተክርስትያን ምስ ማርያም ብዘለዋ ሱታፌ ክትጽሊ ትመርጽ። ምስኣ ኮይና፡ ነቲ ኣምላኽ ነኣኣ ዝገበረላ ዓበይቲ ነገራት ከተዕቢ፣ ናብኣ'ውን ልመናኣን ውዳሴኣን ከተማሕጽን ትርከብ።

## ኣንቀጽ 3
## መምርሕታት ጸሎት

### ደመና-ምስክርነት

2683 ቀዲሞምና መንግሥተ-ሰማያት ዝኣተዉ[41] ብፍላይ ከኣ እቶም 956
ቤተክርስትያን ቅድስናኦም ዝፈለጠትሎም ኵሎም፡ በቲ ኣብነታዊ ሕይወቶምን፡ በቲ ናይ ጽሑፍ ውርሻኦምን፣ በቲ ሕጂ ዜዕርግዎ ጸሎቶምን ኣብ'ቲ ሕያው ትውፊት-ጸሎት ተሳተፍቲ ይኾኑ። ንሳ'ቶም ንእግዚኣብሔር ይጥምቱ የስተንትኑ፤ ይውድስዎ፣ ነቶም ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ዝገደፍዎም ድማ ቀጺሎም የሓስቡዎምን የሓልዩሎምን። ኣብ'ቲ ታሕጓስ-ጐይትኦም ምስኣተዉ፡ "ኣብ ብዙሕ ተሠይሞም እዮም"፤[42] ኣማልድነቶም ድማ ኣብ መደብ-ኣምላኽ ዚቐርብ እቲ ዝለዓለ ኣገልግሎት እዩ። ምእንታናን ምእንቲ መላእ ዓለምን ከማልዱ ክንልምኖም ንኽእል፣ ይግበኣና እውን እዩ።

---

[41] ዕብ 12፡1 ረአ
[42] ማቴ 25፡21 ረአ

**2684** ኣብ ታሪኽ ኣብያተክርስትያን ከምዚረአ፡ ኣብ'ቲ ሱታፌ-ቅዱሳን፡
917 ብዙሕን በብዓይነቱን መንፈሳውነታት ማዕቢሉ እዩ። ኣምላኽ ንደቂሰባት ናይ
919 ዘለዎ ፍቕሪ መሰኻኽር ዝኾኑ ሰባት፡ ዝተዋህቦም ውልቃዊ ውህበት(ካሪዝማ)፣
1202 ልክዕ ከም'ቲ "መንፈስ" ኤልያስ ናብ ኤልሻዕን ዮሓንስ መጥምቕን ዝተመሓላለፈ፣
ኣብ'ዚ መንፈስ'ዚ ምእንቲ ኪሳተፉ ንተኸተልቶም ተመሓላሊፉሎም እዩ።[43] ፍሉይ
ኣብ ዝኾነ ሰብኣዊ ከባብን ታሪኹን፡ ንዚፍጸም ምውህሃድ-እምነት ብምምስካር፣
ግብረ-ኣምልኾኣውን (ሊጡርግያውን) ሥነመለኮታውን ወሓዚ ኣብ ዚራኸቡሉ
ኩሉ፣ ፍሉይ መንፈሳውነት ኪበቍልን ኪምዕብልን ይኽእል። ናይ ክርስትያናዊ
ጸሎት ዝተፈላለየ መንፈሳውነት ዘማዕብሉ ዝንባሌታትን ወገናትን እውን ኣብ'ቲ
ሕያው ትውፊት ጸሎት ይሳተፉ፣" ንምእመናን ዘድልን ዘገድስን መምርሒ እዩ።
ሃብታም ብዝኾነ ብዝሓምን ዓይነቶምን፡ ናይ'ቲ ንጹሕ ብርሃን መንፈስ ቅዱስ
ነጸብራቕ ይኾኑ።

> መንፈስ ቅዱስ ብርግጽ፡ ናይ ቅዱሳን ማኅደር እዩ፤ ቦታኦም እዩ፣ እቶም ቅዱሳን'ውን ተመሊሶም መንፈስ ቅዱስ ከም ቤቱ ገቢሩ ዚነብረሎም እዮም፤ ምኽንያቱ ከኣ ንሳቶም ንኣምላኽ ማኅደሩ ገቢሮም ርእሶም ዘወፈዩ፣ መቕደሱ ዝተሰምዩ እዮም።[44]

## ኣገልገልቲ ጸሎት

**2685** እታ ክርስትያናዊት ስድራቤት ቀዳመይቲ ናይ ጸሎት ቤትትምህርቲ
1657 እያ። ኣብ ናይ ምሥጢረ ተክሊል ኪዳን ዝተመሥረተት፡ ስድራቤት፣ "ከም
መጠን ቤተክርስትያን" ደቂ-እግዚኣብሔር ምጽላይ ዚመሃሩላ፣ ብጸሎት ዚተግሁላ
"ውሽጣዊት ቤተክርስትያን" እያ። ብፍላይ ንንኡሳን ሕፃናት፡ ኣብ ስድራቤት
ዚዝውተር ዕለታዊ ጸሎት፡ መንፈስ ቅዱስ ብትዕግሥቲ ናይ ዘለዓዕሎ ሕያው
ዝኽሪ-ቤተክርስትያን ቀዳማይ ምስክርነት እዩ።

**2686** ቅዱስ መዓርጋት ዝለበሱ'ውን ነቶም ብክርስቶስ ኣኅዋቶምን ኣኃቶምን
1547 ዝኾኑ ኣብ መደብ ጸሎት ኪኹስኵስዎም ኃላፍነት ኣለዎም። ናይ'ቲ ሕያዋይ ጓሳ
ኣገልገልቲ ከም ምኳኖም መጠን፣ ንሕዝበ-እግዚኣብሔር ናብ ናይ ጸሎት ወሓዚ
ማያት፣ማለት ናብ ቃል-ኣምላኽ፣ ሊጡርግያ፣ ናብ መንፈሳዊ ሕይወት (ሕይወት
እምነት-ተስፋ-ፍቕሪ)፣ ከምኡ'ውን ናብ'ቲ ህልውን ጭቡጥን ኵነታት-ኣምላኽ
መሪሖም ንከብጽሕዎ መዓርግ ዝተቐበሉ እዮም።[45]

**2687** ብዙኃት ሰብ ውፉይ ሕይወት (ገዳማውያን ገዳማውያት) መላእ
916 ሕይወቶም ንጸሎት ዝወፈዩ ኣለዉ፤ ባሕታውያን መነኮሳን፡ መነኮሳይያት፡ ካብ
ዘመነ-ኣበው ዘምድረበዳ ኣትሒዙ፡ ንውዳሴ-ኣምላኽን፡ ንኣማልድነት-ሕዝቡን

[43] 2 ነገ 2፡9፣ ሉቃ 1፡1፣ ፍጽምቲ ፍቕሪ PC 2 ረአ
[44] ቅ.ባስልዮስ De Spiritu Sancto, 26, 62፡ PG 32, 184.
[45] መዓርግ ክህነት PO 4-6 ረአ

ግዜኦም ዝወፈዩ ሰባት እዮም። ውፉይ ሕይወት ብዘይካ ጸሎት ኪሰፍሕን ኪጸንዕን ኣይክእልን፤ ከመይ ንሰቂለኻሊናዊ ኣስተንትኖን፣ መንፈሳዊ ሕይወት-ቤተክርስትያንን ካብ'ቲ ሕያው ምንጭታቱ ሓደ እዩ።

2688 ንሕፃናት፡ ንመንእሰያትን ዓበይትን ዚወሃብ መደብ ትምህርተ-ክርስትና፣ 1674
ኣብ'ቲ ውልቃዊ ጸሎቶም ንቃል-ኣምላኽ ንከስተንትኑ፣ ኣብ'ቲ ሊጡርግያዊ ጸሎት ንኺፍጽምዎ፣ ኣብ ኩሉ እዋን ድማ፡ ኣተና-ውሽጣዊ ሕይወቶም ንኺገብርዎን፣ ኣብ ሓዳስ ሕይወት ፍረ ንኺፈርዩን ዝዓለመ እዩ። ከምኡ'ውን መደብ ትምህርተ-ክርስትና፡ ሕዝባዊ መንፈሳውነት እትመሃረሉን እትመምየሉን እዋን እዩ።[46] ንመሠረታዊ ጸሎታት ኣጽኒዕካ(ብዘይ ጽሑፍ) ብርእስኻ ምድጋሙ፣ ንሕይወት ጸሎት ኣዝዩ ኣገዳስን ደጋፍን እዩ፤ ግና ከኣ እቶም ዚመሃርዎን ዘጽንዕዎን ዚደግምዎን ትርጉሙ ከስተማቕርዎ ኣድላዪ እዩ።

2689 ሓንትስ፡ እቲ ዚቐድሕዎን ዚሰትዩዎን፡ ካብ'ቲ ናይ ጸሎት ክርስትና ጽሩይ ዓይኒማይ ደኣ ይኹን'ምበር፣ ጒጅለታት ጸሎት፡ ብርግጽ'ውን "ኣብያተ ትምህርቲ ጸሎት" ሎሚ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ናይ ምሕዳስ-ጸሎት ምልክታትን ቀንዲ ደራኺ ኃይላትን ምኳኖም እዮም። ብናይ ቤተክርስትያን ሱታፌ ምግዳስ ማለት ኣብ ቤተክርስትያን ናይ ዚግበር ቅኑዕ ጸሎት ምልክት እዩ።

2690 ብጸሎት(መንፈሳዊ መሪሕነት) ንዚግለጽ ሓባራዊ ረብሓ ኪብል መንፈስ ቅዱስ ንገሊኦም ካብ ምእመናን ህያብ ጥበብን፡ እምነትን፣ ምልላይ መናፍስትን ይዕድል። ነዚ ዝተዓደሉ ሰብኡትን ኣንስትን፡ ኣብ'ቲ ትውፊት-ጸሎት ኡነተይናታት ኣገልገልቲ ኮይኖም ይርከቡ።

> ከም ትምህርቲ ቅዱስ ዮሓንስ ዘመስቀል እንተደኣኮይኑ፣ ናብ ፍጽምና ገጹ ኪስጉም ዚምነ ሰብ፡ "እቲ ተመሃራይ ልክዕ ከም መምህሩ፣ እቲ ውሉድ ድማ ከም ወላዲኡ እዩ'ሞ፣ ርእሱ ናብ መን የማሕጽን ከምዘሎ ኣጸቢቑ ይሕሰብ"።
>
> ቀጺሉ'ውን - "ሓደ መንፈሳዊ መራሒ ምሁርን ጥንቁቕን ጥራሕ ዘይኮነስ ተመክሮ ዘለዎ ይኹን... እቲ መንፈሳዊ መራሒ ናይ መንፈሳዊ ሕይወት ተመክሮን ትዕዝብትን እንተዘይብሉ፣ ነተን ነፍሳት፣ እግዚኣብሔር ይጽውዐን ናብ ዘሎ መንፈሳዊ ሕይወት ኪመርሐን ኮነ፣ ኪርድኣን ኣይክእልን እዩ።"[47]

[46] ትም.ክር.ምምሕልላፍ CT 54. ረአ

[47] ቅ.ዮሓንስ ዘመስቀል The Living Flame of Love, stanza 3, 30, in The collected Works of ቅ.ዮሓንስ ዘመስቀል eds K. Kavanaugh OCD and O. Rodriguez, OCD (Washington DC: Institute of Carmelite Studies, 1979), 621.

## ንጸሎት ዚሰማማዕ ቦታ

**2691** ናይ ቊምስና ማኅበረ-ምእመናን ሊጡግርያዊ ጸሎታ እተብጽሓሉ
1181 ብቑዕ ቦታ፣ እቲ ቤት-እግዚኣብሔር ዝተሰምየ ሕንጻ ቤተክርስትያን እዩ። ኣብ
2097 ምሥጢረ ቅዱስ ቊርባን ንናይ ክርስቶስ ኣማናዊ ህላዌኡ ዚስገደሉ ምቹእ ቦታ
1379 ድማ ቤተክርስትያን እዩ። ናይ'ዚ ምቹእ ስፍራ ምርጫ ነቲ ኩነተይና ጸሎት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

- ውልቃዊ ጸሎት ዚፍጸመሉ ቦታ፣ ቅዱሳት መጻሕፍትን፣ መንፈሳዊ ኣሣእልን (ኣይቆና) ዘለዎ ኣብ ቅድሚ ሰማያዊ ኣቦና ብስቱር እንቕመሉ "ናይ ጸሎት ዂርናዕ" ኪኸውን ይኽእል።[48] ኣብ ሓደ ክርስትያናዊ ስድራቤት እዚ ዝዓይነቱ ንኡስ ቦታ-ጸሎት፡ ሓባራዊ ጸሎት የማዕብል።

1175 - ገዳማት ኣብ ዘለዎ ወገናት፣ ናይ ገዳማዊ ማኅበራት ጸዋዕታ፣ ኣብ ጸሎተ-ሰዓታቶም ምእመናን ከምዚሳተፉን፣ ንብሕትውን ጽምውን ውልቃዊ ጸሎት ዜድሊ ምስንዳው ምግባርን እዩ።[49]

1674 - ንግደት ድማ፡ ንመንግሥተ ሰማይ ገጽና እንገብሮ ምድራዊ ጕዕዞና ዜዘኻኽር፣ ብልምዲ ከኣ ብጸሎት ንምሕዳስ ዝበለጸ ኣጋጣሚ ኮይኑ ከገልግል ዝጸንሐ እዩ። እቶም ማይ-ሕይወት ዚደልዩ ነጋድያን፣ "ኣብ ቤተክርስትያን" ኮይኖም ጸሎተ-ክርስትና ዘዘውትሩሉ ፍሉይ ቦታ ድማ መካነ-ንግደት እዩ።

## ብሓጺር

**2692** እታ ኣብ ንግደት ዘላ ቤተክርስትያን፣ ምስ'ቶም ኣማልድነቶም እትልምን ቅዱሳን፡ ብጸሎት ኅቢራ ትርከብ።

**2693** ዝተፈላለየ ናይ ጸሎተ-ክርስትና ዝንባሌ-መንፈሳውነት ኣብ'ቲ ትውፊት-ጸሎት ይራኸብ፤ ንመንፈሳዊ ሕይወት ከኣ ብሉጽ መምርሒ ይኸውን።

**2694** ክርስትያናዊት ስድራቤት ቀዳመይቲ ናይ ጸሎት ቤትትምህርቲ እያ።

**2695** ቅዱስ መዓርጋት ዝተቐበሉ፣ ሰብ ውፉይ ሕይወት፣ መምህራን ትምህርተ-ክርስቶስ፣ ጕጅለታት ጸሎት፣ መንፈሳዊ መሪሕነታት ኣብ ቤተክርስትያን ንኣገባብ ጸሎት ውሕስነት ዚህቡ እዮም።

---

[48] ማቴ 6:6 ረአ
[49] ፍጽምቲ ፍቕሪ PC 7 ረአ

2696 ንጸሎት ምቹው ቦታታት ድማ፣ ውልቃዊ ወይ ቤትጸሎት-ስድራ፣ ገዳማት፣ መካነንግደታት፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ቤተ ክርስትያን እዩ፣ ከመይ ንናይ ቀኑምስና ማኅበር-ምእመናን ሊጡርግያዊ ስራሕን፣ ንስግደት ቅዱስ ቍርባንን ዚበቅዕ ቦታ እዩ።

# ምዕራፍ ሠለስተ

# ሕይወት ጸሎት

**2697** ጸሎት ናይ'ቲ ሓዲሽ ልቢ ሕይወት እዩ። ኣብ ኩሉ ግዜያት
1099 ከነቓቕሓናን ሕይወት ኪህበናን ዘለዎ እዩ። እንተኾነ ንሕና ነቲ ሕይወትናን
ኵለንትናናን ዝኾነ ናብ ምርሳዑ ንዝንብል። ስለ'ዚ ኸኣ፡ ኣብ'ቲ መጻሕፍቲ
ታሪኽን ትንቢትን ዘለዉ ናይ መንፈሳዊት ሕይወት ኣበው፣ ጸሎት ብናይ ልቢ
ዝኽሪ ዝተነቓቕሐ ንኣምላኽ ምዝካር ምዃኑ ከረድኡ ጸዓሩ፤ "ካብ'ቲ እነተንፍሶ
ንላዕሊ ንኣምላኽ ክንዝክሮ ይግበኣና"[1]። እንተኾነ ፈሊጥናን ደሊናን ኣብ
ዝተወሰነ እዋናት እንተዘይገበርናዮ፣ "ኩሉ ግዜ" ክንጽሊ ኣይከኣለናን እዩ። እቲ
ፍሉይ እዋን-ጸሎት፡ ብጻዕቂ ይኹን ብንውሒ ግዜ፡ ናይ ጸሎተ ክርስትና ፍሉይ
ግዜ እዩ።

**2698** ቀጻሊ ጸሎት ዚኵስኵስ ገሊኡ ዓይነት ላዛን ኣወዳድቓን ጸሎት፡ በቲ
1168 ቅዱስ ትውፊት-ቤተክርስትያን ንምእመናን ኪቐርበሎም ይርከብ። ገሊኡ
1174 ጸሎታት ዕለታዊ እዩ፤ ከም ናይ ንግሆን ምሸትን ጸሎት ዝበለ፣ ቅድሚ ምግብን
2177 ድሕሪ ምግብን ዚግበር ምስጋና፣ ከምኡ'ውን ጸሎተ ሰዓታት ኣሎ። ሰናብቲ ኣብ
ዙርያ መሥዋዕተ-ቅዳሴ ኮይንካ፣ ብጸሎት ዚቕደስ ዕለታት እዩ። ዑደት
ሊጡርግያዊ ኣዝማናትን፣ ዓበይቲ በዓላትን ንናይ ክርስትያን ሕይወት-ጸሎት
ዚመርሕ መሠረታዊ ኣከያይዳ እዩ።

**2699** ጐይታ ንኵሎም ሰባት ኪመርሖም ከሎ፡ በቲ ነኣኡ ደስ ዘበሎ ኣገባብን
2563 መንገድን እዩ። ነፍስወከፍ ኣማኒ ድማ፡ ብመንፅር ውሳኔ-ልቡን፡ ብናይ ጸሎቱ
ውልቃዊ መግለጽን ኪምልሾ ይርከብ። እንተኾነ ቅዱስ ትውፊት ክርስትና ሠለስተ
ቀንድን ዓበይትን መግለጺ ጸሎት ዓቝሩልና ኣሎ፣ ድምጻዊ፣ ኣስተንትኖኣዊ፣
ሰቂለኀሊናዊ። ኣብ ሠለስቲኡ ዚርከብ ሓደ ሓባራዊ መሠረታዊ ባሕርይ-
ርግኣት-ልቢ እዩ። ቃል-ኣምላኽ ንምሕላውን፣ ኣብ ህላዌ-ኣምላኽ ንምንባርን ነዚ
ሠለስተ መግለጺ፣ ናይ ሕይወት-ጸሎት ፍሉይን ምርኡይን እዋን ይገብሮ።

[1] ቅ.ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ Orat. theo., 27, 1, 4፡ PG 36, 16.

## ኣንቀጽ 1
# መግለጺ ጸሎት

## I. ድምጻዊ ጸሎት (ናይ ቃል)

**2700** በቲ ቃሉ ገቢሩ፡ ኣምላኽ ንሰብ ይዛረቦ። ብሓሳብ ወይ ብድምጺ ብዚግለጽ ቃላት ጸሎት ጋህዲ ይኸውን። እንተኾነ፡ ነቲ ብጸሎት እንዛረቦ ዘሎና፡ ልብና ናብኡ ኣዝዩ ኪቐርብ ኣገዳሲ ነገር እዩ፣ "ጸሎትና ዝተሰምዐ ምኳኑን ዘይምኳኑን ዚውሰን ብብዝሒ ቓላቱ ዘይኮነስ፣ ብመንፈሳዊ ሙቐት-ነፍሳትና እዩ"።[2] 1176

**2701** ድምጻዊ ጸሎት ናይ ሕይወት ክርስትና ኣገዳስን ኣድላዪን ወገን እዩ። ብናይ መምህሮም ስቕተይና ጸሎት ንዝተገረሙ ተመሃርቱ፣ ኢየሱስ ነቲ "ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር" ዚብል ድምጻዊ ጸሎት መሃሮም። ወንጌል ከምዘዘንትዎ ድማ፡ ንሱ ባዕሉ ነቲ ናይ ምኲራብ-ኣይሁድ ሊጡርግያዊ ጸሎታት ዓው ኢሉ ምጽላይ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብታሕጓስ ተመሊኡ ነቦኡ ካብ ዝባረኸሉ ኣትሒዝካ፣ ክሳብ'ቲ ናይ ጌተሰማኒ ሥቓይ፣ ውልቃዊ ጸሎቱ ንምግላጽ ድምጹ ኣልዒሉ እዩ።[3] 2603 612

**2702** ንሕዋሳትና ኣብ ውሽጣዊ ጸሎት ክንጸምዶ ዘሎና ግድነት፡ ምስ'ቲ ናይ ሰብኣዊ ባሕርይ ጠለብ ዚሰማማዕ እዩ። ብሥጋን ብነፍስን ዝቘምና ስለዝኾንና፣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዚስመዓና፡ ብግዳም እሞ ብግዙፍ መልክዕ ክንገልጾ ንድረኽ ኢና። ልመናናን ጸሎትናን ኩሉ ዜድሊ ኃይሊ ምእንቲ ኪረክብ፡ ብምሉእ ኣካልናን ኵለንትናናን ክንጽሊ ይግባእ። 1146

**2703** እዚ ተግባር'ዚ እውን እንተኾነ ምስ'ቲ መለኮታዊ ግዴታ(ድልየት) ዚሰማማዕ እዩ። ኣምላኽ ኣብ'ቶም ብመንፈስን ብጽድቅን (ብሓቅን) ዘምልኹ የተኵር፤ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ነቲ ካብ መዓሙቕ ነፍሲ ዚወጽእ፣ ሕይወት ዘለዎ ጸሎት ይደሊ። ነቲ ግዙፍ ኣካል ምስ'ቲ ውሽጣዊ ጸሎት ዘወሃህዶ ኣፍኣዊ ግዙፍ መግለጺ'ውን የድልዮ እዩ፤ ከመይሲ ነቲ ነኣኡ ዚበቅዕ ፍጹም ኣምልኾ ንምቕራብ ዚሕግዝ እዩ። 2097

**2704** ድምጻዊ ጸሎት ኣፍኣውን ግዙፍን፡ ብምሉኡ ድማ ሰብኣዊ ስለዝኾነ፣ እቲ ጕጅለታት ዚጥቀሙሉ ኣገባብ ጸሎት እዩ። ውሽጣዊ ጸሎት እውን እንተኾነ፡ ነዚ ድምጻዊ ጸሎት ሸለል ኪብሎ ኣይክእልን። ናይ'ቲ "እንዛረቦ ዘሎና"

[2] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ Ecloga de oratione 2፡ PG 63, 585.
[3] ማቴ 11፡25-26፣ ማር 14፡36 ረአ

(ኣምላኽ) ህላዌኡ[4]፣ ወይ ምስ መን ንዛረብ ከምዘሎና መጠን ዘስተማቕርናሉ፣
መጠኑ ጸሎትና ዝዓመቘ ይኸውን። ምእንትʼዚ ኸኣ ድምጻዊ ጸሎት ናይ
ሰቂለኅሊናዊ ጸሎት መባእታ (መእተዊ) ይኸውን።

## II. ጸሎት ኣስተንትኖ

**2705** ኣስተንትኖ ወይ ጸሎተ-ኅሊና ልዕሊ ኹሉ ሃሰስታ (quest = ሃሰስ
158 ምባል) እዩ። እግዚኣብሔር ንዚሓቶ ብትግሃት ንምፍጻም፡ ሕይወት-ክርስትና
127 ስለምንታይን ብኸመይን ከምዚንበር ኪርዳእ ኢሉ ኣእምሮ ኪጽዕር ንቡር እዩ።
እቲ ኣድላዪን ኣገዳስን ዝኾነ ምስትውዓል ንምኹስኳሉ ጽንኩር እዩ። ብዚበዝሕ
ብመጻሕፍቲ እሞ ክርስትያን ብዘይስእንዎ መጻሕፍቲ ኢና እንሕገዝ፦ ማለት
ቅዱሳት መጻሕፍቲ፣ ብፍላይ ድማ ወንጌል፣ መንፈሳዊ ኣሣእል፣ ናይ ዕለቱ ወይ
ዘመኑ ሊጡርግያዊ ጽሑፍ፣ መንፈሳዊ ድርሳን-ኣበው፣ ንመንፈሳውነት ዚርኢ
ጽሑፋት፣ እቲ ዓቢይ መጽሓፍ ሥነፍጥረት ብቐንዱ፣ ከምኡʼውን እቲ ናይ
ኣምላኽ "ሎሚ" (ክዉን ነገር) ዝተጻሕፈሉ ሰሌዳ-ታሪኽ ኲሉ ኣብኡ ይጠቓለል።

**2706** ነቲ ዘንበብናዮ ከነስተንትኖ ከሎና፣ ርእስና ምስኡ ብምንጽጻር ናትና
ክንገብሮ ይሕግዘና። ኣብʼዚ ከምዚ፣ ካልእ መጽሓፍ ማለት መጽሓፍ-ሕይወት
እውን ይግንጸለልና። ካብ መደብ-ሓሳብ ናብ ህልው ኵነት ነሓልፍ። ትሕትናን
እምነትን ብዝጨበጥና መጠን፣መጠኑ ድማ ኣብ ኣስተንትኖ፡ ነቲ ንልባትና
ዘንቀሳቕስ ክነለሊ ንኽእል። ናብ ብርሃን ንምምጻእ፡ ብሓቅነት ናይ ምስራሕ
ጕዳይ እዩ፤ "ኦ ጐይታይ! እንታይ ክገብር ኢኻ እትደልየኒ?"

**2707** ናይ መንፈሳዊ ሕይወት መምህራንን ማእምራንን ክንድ ዘለዉዎ
2690 መጠን፣ ልክዕ ክንድኦም ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣስተንትኖ ኣሎ። ኣብ ምሳሌ ዘርእን
2664 ዘራእን ንዘሎ፣ ቀዳማይ ሠለስተ ዓይነት መሬት ዚመስሉ ምእንቲ ከይኮኑ[5]፣
ክርስትያን ሥሩዕ ዝኾነ ኣስተንትኖ ናይ ምምዕባል ሃረርታ ኪህልዎም ይግባእ።
እቲ ብልኃት ወይ ኣገባብ ግን መምርሒ ጥራሕ እዩ። እቲ ኣገዳሲ ነገር፣ እንተደኣ
ምስ መንፈስቅዱስ ሠሚርካ፣ በቲ ሓደ መንገዲ-ጸሎት፣ ማለት ብኢየሱስ ክርስቶስ
ምስጓም እዩ።

**2708** ኣስተንትኖ ኪበሃል ከሎ፣ ሓሳባትን፡ ናይ ኣእምሮ ክእለትን፣
516 ስምዒትን፡ ድልየትን የጠቓልል። ናይ እምነት ርድኢትና ከነዕምቘ፣ ናይ ልብና
2678 ንስሓ ከነለዓዕል፣ ክርስቶስ ንምኽታል ዘሎና ድልየት ንኸነበራትዕ፣ ናይʼቲ ኩሉ
ክእለታትና ምንቅስቓስ ኣድላዪ እዩ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ጸሎተ-ክርስትና ከምቲ

[4] ቅ.ተሬዛ ዘኢየሱስ The Way of Perfection 26, 9 in The collected Works of St. Teresa of Avila, tr. K. Kavanaugh, OCD, and O. Rodriguez, OCD (Washington DC: Institute of Carmelite Studies, 1980), II, 136.

[5] ማር 4፡4-7፣ 15-19 ረኣ

ኣብ (መንፈሳዊ) መለኮታዊ ንባብን (Lectio Divina) መቐጸርያን፣ ንምሥጢራት-ክርስቶስ ከስተንትን ይጽዕር። ከም'ዚ ዝበለ ጸሎት ዝዓዘዞ ኣስተንትኖ ዓቢይ ዋጋ ዘለዎ እዩ፣ እንተኾነ ጸሎተ-ክርስትና ክንየዉ ኪስጉም ኣለዎ፣ ናይ ጐይታ ኢየሱስ ፍቕሩ ናብ ምፍላጥን፣ ምስኡ ናብ ምውህሃድን ከብጽሕ ኣለዎ።

## III. ሰቒለኀሊናዊ ጸሎት (Contemplative prayer)

**2709** ሰቒለኀሊናዊ ጸሎት እንታይ እዩ? ቅድስቲ ተሬዛ ብኸምዚ ዚስዕብ ትምልሸ፣ -"ብርእይቶይ ሰቒለኀሊናዊ ጸሎት፡ ካልእ ዘይኮነስ ኣብ መንጎ መሓዙት ዚግበር ቅርበት ዘለዎ ሱታፌን፡ ምልውዋጥ ሓሳባትን እዩ፣ ደጋጊምና ምስኡ ብምኻን፣ ምስ'ቲ ከም ዘፍቅረና እንፈልጦ፣ ንብሕትና ምኻን ማለት እዩ"[6]። 2562-2564

ሰቒለኀሊናዊ ጸሎት "ነቲ ነፍሰይ እተፍቅሮ"[7] ሃሰስ ኢሉ ኪረኽቦ ይጽዕር፣ ንሱ ከኣ ኢየሱስ እዩ፣ ኣብኡ'ውን እግዚኣብሔር-ኣቦ ኣሎ። ነኣኡ ምድላይ ማለት ወትሩ ናይ ፍቕሪ መዠመርያ ስለዝኾነ ክንረኽቦ ንጽዕር፤ ካብኡ ክንውለድን፣ ኣብኡ ክንነብርን ብዚሕግዘና ጸሎት ጋና ከነስተንትን ንኽእል ኢና፣ ኣተኵሮና ግን ኣብ እግዚኣብሔር ብቐንዱ እዩ።

**2710** እዋን ጸሎት ምምራጽን፡ ንውሒ-ግዜ ምውሳንን ዚርኢ እንተኾይኑ፣ ናይ ልቢ ስቱር ነገራት ካብ ዚገልጽ ቈራጽ ውሳኔ ዚፍልፍል እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ ሰቒለኀሊናዊ ጸሎት ዚጽመድ፣ ግዜ ምስ ረኸበ፡ ወይ እንተረኸበ ጥራሕ ኣይኮነን፤ ፈተናን ናይ መንፈስ ደርቅን ምህላዉ ብዘየገድስ፡ ከይተሓለለ ብጽኑዕ ውሳኔ፡ ንኣምላኽ ዚኸውን ግዜ ከምዚህልዎ ኪገብር ኣለዎ። ሓደ ሰብ ወትሩ ከስተንትን ኣይክእልን ይኸውን፤ እንተኾነ በቲ ናይ ጥዕናን ስራሕን ስምዒታዊ ሃለዋት ከይተጸልወ፣ ወትሩ ኣብ ውሽጣዊ ጸሎት ኪጽመድ ይከኣሎ እዩ። ናይ'ዚ ብትሕትናን ምናኔን፡ ብእምነትን ዚፍጸም ሃሰስታ ኮነ ርክብ፣ ቦታኡ ልቢ እዩ። 2726

**2711** ኣብ ጸሎት-ሰቒለኀሊና ምእታው ማለት ኣብ ናይ መሥዋዕተ ቅዳሴ ሊጡርግያ ከም ምእታው እዩ። ልብና "ኣርኒብና"፣ መላእ ኵለንትናና ህላዌና ኣብ ትሕቲ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ ጠርኒፍና፣ ኣብ'ቲ ማኀደር-እግዚኣብሔር ዝኾነ ወገንና፣ ኣባና(ኣብ ርእስና) ነኣቱ፤ ናብ ቅድም'ቲ ዚጽበየና ዘሎ ምእንቲ ክንቀርብ፣ እምነትና ነነቓቕሕ። እቲ ኹሉ ግዳማዊ ጉልባብና ኣውዲቕና፣ ልባትና ናብ'ቲ ዘፍቅረና ጐይታ መሊስና፣ መጠን ወፈያ ርእስና ናብኡ ኣቕሪብና ክንነጽሕን ክንልወጥን ንርከብ። 1348 2100

---

[6] ቅ.ተሬዛ ዘኢየሱስ The Book of Her Life, 8, 5 in The collected Works of St. Teresa of Avila, tr. K. Kavanaugh, OCD, and O. Rodriguez, OCD (Washington DC፡ Institute of Carmelite Studies, 1976), I, 67

[7] መኃ 1፡7፣ 3፡1-4 ረአ

**2712** ጸሎት ሰቒለኀሊና፣ ናይ'ቲ ውሉድ-እግዚኣብሔር ጸሎት፣ ነቲ
2822 ዝተፈቐረሉ ፍቕሪ ኪቕበልን፣ ብዝበለጸ ፍቕሪ ኪምልሸሉ ናይ ዚደሊ፡ ምሕረት
ናይ ዝረኸበ ኃጢኣተይና ጸሎት እዩ።[8] እንተኾነ እቲ ተመሊሱ ዚህቦ ዘሎ ፍቕሪ፡
መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልቡ ዘፍሰሶ ምኻኑ፣ ኩሉ ነገር'ውን ካብ ኣምላኽ ዚመጽእ
ጸጋ ምኻኑ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። ሰቒለኀሊና ኪበሃል ከሎ፣ ወትሩ እናዓመቔ
ብዚኸይድ፣ ምስ'ቲ ፍቁር ወዱ ብዚግበር ምውህሃድ፣ ነቲ ፍቕሪ ዝዓዘዞ ድላይ
እግዚኣብሔር-ኣቦ ትሑትን መስኪንን ኮይንካ ምቕባልን ምፍጻምን እዩ።

**2713** ናይ ምሥጢር ጸሎት ገርህይናን ግልጽን ዝኾነ መግለጺ ሰቒለኀሊና
2559 እዩ። ህያብ እዩ፤ ጸጋ ከኣ እዩ፤ ኣብ መንፈስ ትሕትናን ድኽነትን ኮይንካ ኢኻ
እትቕበሎ። ሰቒለኀሊናዊ ጸሎት ኣምላኽ ኣብ ልብና ዝተኸሎ ኪዳናዊ ርክብ
እዩ።[9] ምስኡ'ውን ሱታፌ እዩ፤ ኣብ'ዚ ሱታፌ'ዚ ቅድስት ሥላሴ ነቲ ምስሊ
ኣምላኽ ዝኾነ ሰብ "ምስኡ ከምዚሰማማዕ" ይገብሮ።

**2714** ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን፣ ሰቒለኀሊና፣ ጽዑቕ እዋን-ጸሎት እዩ።
ኣብኡን በኣኡን፡ እግዚኣብሔር-ኣቦ ነቲ ውሽጣዊ ህላዌና ብኃይሊ መንፈሱ ገቢሩ
የበርትዖ። እዚ ኸኣ ክርስቶስ ኣብ ልባትና ብእምነት ምእንቲ ኪሓድር፣
ንሕና'ውን "ኣብ ፍቕሪ ሡር ምእንቲ ክንሰድድን ክንሥረትን"[10] ኢሉ እዩ።

**2715** ሰቒለኀሊና፡ ኣብ ኢየሱስ ዘተኰረ ናይ እምነት ጠመተ እዩ። "ኣነ
521 ነኣኡ እጥምት፣ ንሱ ድማ ነኣይ ይጥምት"፣ እዚ ብሂል'ዚ ሓደ መንም ናይ
ኣርስ (ፈረንሳ) ተራ ምእመን፣ ኣብ ቅድሚ ቅዱስ ቍርባን ብዛዕባ ዚገብሮ ጸሎቱ
ዘኪሩ፣ ነቲ ቅዱስ ቆሞሱ ዝነገሮ እዩ። እዚ ኣብ ልዕሊ ኢየሱስ ዚግበር ኣተኵሮ፣
በቲ ሓደ ርእሰ ምናኔ'ውን እዩ። ጠመተኡ ንልባትና የንጽሖ። ካብ ናይ ኢየሱስ
ገጽን ኣተናን ዚወጽእ ብርሃን ንኣዕይንቲ-ልብና ኣብሪሁ፣ ንኹሉ ነገር ብብርሃን-
ሓቁን፣ ንኵሎም ደቅሰብ ብዘለዎ ፍቕሩን ምሕረቱን፣ ክንጥምቶ የኽእለና።
ሰቒለኀሊና ጠመተኡ ናብ ምሥጢራት ሕይወት-ክርስቶስ'ውን የዝውሮ እዩ።
ምእንት'ዚ ኸኣ፣ ብዝበለጸ ንምፍቃሩን፣ ንምኽታሉን ዘኽእሎ "ውሽጣዊ(መንፈሳዊ)
ፍልጠት-ጐይታ" ይመሃር።[11]

**2716** ሰቒለኀሊና፡ ንቓል-ኣምላኽ ጽን ኢልካ ምስማዕ እዩ። እዚ ጽን ኢልካ
494 ምስትውዓል ግን ተቐባሊ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ናይ እምነት ተኣዝዞ፡ ናይ'ቲ
ኣገልጋሊ ዘየወላውል ተቐባልነትን፣ ፍቕሪ ዝመልኦ ናይ ውሉድ ተወፋይነትን
እዩ። ወልደ-ኣምላኽ (ባርያ) ኣገልጋሊ ብምኳን "ሕራይ" ኣብ ዝበሎን፣ እታ
ትሕትቲ ኣገልጋሊቱ "ይኹን" ኣብ ዝበለቶን ዘሳትፍ እዩ።

---

[8] ሉቃ 7፡36-50፣ 19፡1-10 ረአ
[9] ኤር 31፡33 ረአ
[10] ኤፌ 3፡16-17
[11] ቅ.እግናጽዮስ ዘሎዮላ Spiritual Exercises, 104 ረአ

**2717** ሰቂለ ጎሊናዊ ጸሎት ስቕታ ዝዓሰሎ ጽሙና፣ "ናይቲ ዚመጽእ ዓለም 533
ምልክት"[12] ወይ ከኣ "ብስቕታ ዚግለጽ ፍቕሪ"[13] እዩ። ከም'ዚ ኣብ ዝበለ ጸሎት 498
ቃላት ብዘረባ ዚግለጽ ዘይኮነስ፣ ልክዕ ከምቲ ንሓዊ-ፍቕሪ ዘባርዕ እዩ። ኣብ'ዚ "ንኣፍኣዊ" ሰብ ዘይጽወር ስቕታ፣ እግዚኣብሔር-ኣቦ ኣብቲ ዝተሠገወን ዝተሣቐየን፡ ዝሞተን ዝተንሥአን ወዱ ይዛረበና። ኣብ'ዚ ስቕታ'ዚ እምበኣር እቲ ዝረኽብናዮ መንፈስ ውሉድነት፡ ኣብ ጸሎት-ኢየሱስ ከምንሳተፍ ይገብረና።

**2718** ሰቂለጎሊናዊ ጸሎት፣ ኣብ ምሥጢራቱ ብዘሳትፈና መጠን፡ ኣብ'ቲ ጸሎት-ክርስቶስ የወሃህደና። ምሥጢረ ክርስቶስ ብቤተክርስትያን ዚኽብርን ዚዝከርን ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ እዩ፤ እቲ ኣባና ዘሎ ፍቕሪ ብተግባራትና ምእንቲ ኪግለጽ ድማ፣ ብመንፈስ ቅዱስ፡ ኣብ'ዚ ሰቂለጎሊና፡ ሕያው ኮይኑ ይርከብ።

**2719** ብጸልማት-ለይቲ ብእትምሰል ጉዕዞ-እምነት ንኽንሓልፍ ብዘፍቅዶ 165
መጠን፣ ጸሎት ሰቂለጎሊና፡ ንኣእላፉት ሕይወት ዘምጽእ ናይ ፍቕሪ ሱታፌ 2730
እዩ። እታ ናይ ትንሣኤ ፋሲካዊት ለይቲ፡ ብናይ ሥቓይን መቓብርን ለይቲ ዝሓለፈት እያ፤ እዚ ኸኣ መንፈሱ (እቲ "ድኹም ዝኾነ ሥጋ" ዘይኮነ) ብጸሎት ሕይወት ንዚህቡ፡ ነተን ናይ ሰዓት-ኢየሱስ ሠለስተ ጽዑቕ እዋናት ንኽመልከት እዩ። "ምስኡ ብጸሎት ንምንቃሕ"[14] ድልየት ከነሕድር ኣሎና።

---

## ብሓጺሩ

**2720** ቤተክርስትያን ንምእመናና ሥሩዕ ጸሎታ፣ ማለት ዕለታዊ ጸሎት፣ ጸሎተ ሰዓታት፣ ናይ ሰንበት መሥዋዕተ ቅዳሴ፣ ናይ ሊጡርግያዊ ዘመን በዓላት ንኪሕልዉ ተማሕጽን።

**2721** ትውፊት-ክርስትና፡ ሠለስተ ቀንዲ መግለጺታት ሕይወት-ጸሎት የቕርበልና፡- ድምጻዊ ጸሎት፣ ጸሎት ኣስተንትኖ፣ ጸሎት ሰቂለ ጎሊና። ዘተሓባብሮ ነጥቢ ድማ እቲ ናይ ልቢ ርግኣትን እርናበን እዩ።

**2722** ድምጻዊ ጸሎት፡ ኣብ ሰብኣዊ ባሕርይ ኣብ ዘሎ ሓድነት ሥጋን ነፍስን ዝተመሥረተ እዩ። ናብ ኣቦኡ ዚጽልን፣ ንተመሃሮቱ ጸሎት "ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር" ናይ ዚምህርን ክርስቶስ ኣብነት ብምኽታል፣ ድምጻዊ ጸሎት ነቲ ግዙፍ ኣካል(ሥጋ) ምስ'ቲ ውሽጣዊ ናይ ልቢ ጸሎት የወሃህዶ።

---

[12] *ቅ.ይሥሓቅ ዘነነዌ* Tract. myst. 66 *ረአ*
[13] *ቅ.ዮሓንስ ዘመስቀል* Maxims and Counsels, 53 in The collected Works of St. John of the Cross, tr. K. Kavanaugh, OCD, and O. Rodriguez, OCD (Washington DC: Institute of Carmelite Studies, 1979), 678.
[14] *ማቴ* 26፡40 *ረአ*

2723 ኣስተንትኖ ንኣእምሮን ሓሳባትን ስምዒትን ድልየትን ዚሓቍፍ ጸሎት ዝዓዘዞ ሃሰስታ (ምድላይ) እዩ። ዕላማኡ ድማ ነቲ እንሓስቦ እነስተንትኖ ጕዳይ ምስ'ቲ ናይ ሕይወትና ሃለዋት ብምንጽጻር ብእምነት ናትና ንኽንገብሮ እዩ።

2724 ሰቂለኅሊናዊ ጸሎት፡ ናይ ምሥጢረ ጸሎት ገርህይና መግለጺ እዩ። ኣብ ኢየሱስ ዘተኰረ ናይ እምነት ጠመተ፣ ንቓል ኣምላኽ ጽን ምባል፣ ብስቕታን ብጽሙናን ዚግለጽ ፍቕርን እዩ። ኣብ'ቲ ምሥጢሩ ንምስታፍ ከምዘኽእለና መጠን ምስ ጸሎት-ክርስቶስ ሓቀይና ውህደት ይጭብጥ።

---

ኣንቀጽ 2

## ናይ ጸሎት ገድል

2725 ጸሎት ኪበሃል ከሎ፣ ንኽልቲኡ፡ ማለት ንህያብ-ጸጋን፣ ብወገንና 
2612 ንዚግበር ተባዕ ምላሽን የስምዕ። ጸሎት ወትሩ ግዜ ጻዕሪ ዚሓትት እዩ። ብዘመነ 
409 ብሉይ ኪዳን ቅድሚ ክርስቶስ ዝነበሩ ስሙያትን ምርኡያትን ሰብ-ጸሎት፣ 
2015 ወላዲተ ኣምላኽ፣ ቅዱሳን ኵሎምን፡ ከምኡ ጐይታና ባዕሉ፣ እዚኣቶም ኵሎም ዚምህሩና፣ ጸሎት ገድል ወይ ቃልሲ ምዃኑ እዩ። ምስ መን ወይ ተጻይ መን ኢና እንቃለስ ወይ እንጋደል? ተጻይ ርእስናን ተጻይ'ቲ ንሰብ ካብ ጸሎትን ካብ ናይ ኣምላኽ ውህደትን ዘርሕቕ ተንኰላት ፈታኒ ሰይጣን ክንጋደል ኣሎና። ከም'ቲ እንጽልዮ ስለእንነብር፣ ከም'ቲ እንነብሮ ንጽሊ። ብመንፈስ ክርስቶስ ምስራሕን ምንቅስቓስን እንተዘይተላመድና፣ ብስሙ ምጽላይ ክንለምድ ኣይንኽእልን ኢና። ሓዲስ ሕይወት ናይ ዝጨበጠ ክርስትያን "መንፈሳዊ ገድል" ካብ'ቲ ናይ ጸሎት ገድል ተነጺሉ ዚረአ ኣይኮነን።

## I. ዕንቅፋት ጸሎት

2726 ኣብ'ቲ ዚግበር ናይ ጸሎት ገድል ወይ ጻዕሪ፡ ቅድሚ ኹሉ ኣብ 
2710 ውሽጥናን ከባቢናን ምስ ዘሎ ግጉይ ትርጓሜ(ርድኢት) ጸሎት ምጥምማትና ዘይተርፍ እዩ። ገሊኣቶም ሰባት ንጸሎት ከም ሓደ መንም ሥነልቦናዊ ንጥፈት እንኪርእይዎ፣ ካልኦት ድማ፡ ኣእምሮኻን ሓሳብካን ካብ ካልእ ናጻ ንምግባርን ንምእርናብን ዚግበር ጻዕሪ ይብልዎ። ጋና'ውን ካልኦት ወገናት፡ ንጸሎት ከም ናይ ቃላት መሥርዕን ናይ ኣቀዋውማ መልክዕን ጥራሕ ገቢሮም የሓስብዎ። ብዙኃት ብሃንሳሰ-ልባም ዚሓስቡ ክርስትያን ከኣ፡ ንጸሎት ከም ሓደ ተግባር'ሞ፣ ምስ'ቲ ኹሉ ካልእ ዚፍጽምዎ ተግባራቶም ዘይሰማማዕ ገቢሮም ይግምትዎ፣ "ነኣኡ

ዚኸውን ግዜ'ውን የብሎምን"። ጸሎት ካብኦም ብሕቱ ዘይኮነስ፣ ካብ መንፈስ ቅዱስ ምኳኑ ስለዘይፈልጡ፣ እቶም ንኣምላኽ ብጸሎትን ኣብ ጸሎትን ዚደልዩዎ፡ ቀልጢፎም ኪደሃሉ ይርከቡ።

**2727** ነቒሕና እንተዘይተጠንቀቕና ካብ "ናይ'ዚ ዓለም'ዚ" ኣተሓሳስባ ዚፍልፍል ገሊኡ ዝንባሌታት ናብ ሕይወትናን ኣነባብራናን ሰርሲሩ ኪኣቱ ዚኽእል እዩ፤ እዚ ክዉን ነገር'ዚ ድማ ክንገጥሞ ዘሎና እዩ። ንኣብነት ገሊኣቶም ከምዚሓስብዎ፣ ብኣእምሮን ናይ ሳይንስ (ሥነፍልጠት) ተመራምሮን ዚግለጽን ዚረጋገጽን ጥራሕ እዩ ሓቂ፤ እንተኾነ፡ ጸሎት ነቲ እንርድኦን ዘይንርድኦን፣ ነቲ ብተመራምሮ እንበጽሖን ዘይንበጽሖን ሕይወት ዘጠቓልል ምሥጢሩ እዩ። 37 2500
ገሊኣቶም ንምህርትን ፍርያትን መኽሰብን ዓቢይ ዋጋ ይህቡ፣ ምእንት'ዚ በኣኣቶም ጸሎት ዘየፍሪ ስለዝኾነ ጠቕሚ የብሉን። ጋና'ውን ካልኦት ንሥጋዊ ፍትወትን ጣዕምን ምቾትን፡ከም ናይ ሓቂ ቅኑዕን ጽቡቕን መምዘኒ ይግምትዎ። እንተኾነ፣ እቲ "ናይ ጽቡቕ ነገር ፍቕሪ" (Philocalia) ዝኾነ ጸሎት፡ ግን ኣብ'ቲ ናይ ሕያውን መሕየውን ኡነተይናን ኣምላኽ ክብሪ ዚጭበጥ እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ገለገለ ሰባት ንጸሎት ከም ህድማ ይቔጽርዎ፤ ተጻይ ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ ብምኳን ካብ'ዚ ዓለም'ዚ ንምህዳም ዚግበር'ዩ ይብሉ። ግና ብሓቂ ኪረአ ከሎስ፡ ጸሎት-ክርስትና፡ ካብ ኣማናዊ ህላዌ ንምምላጥ ዘይኮነ፣ ማዕረ ማዕረኡ ካብ ዚኽይድ ሃለዋት ሕይወት ዝተነጸለ'ውን ኣይኮነን።

**2728** ኣብ መወዳእታ እምበኣር፣ እዚ ገድልና፣ ነቲ ኣብ መደብ ጸሎት ዘጋጠመ ውድቀትን ጌጋን፡ ፊት ንፊት ኪገጥሞ ዘለዎ እዩ። እዚ ኸኣ ብግዜ መንፈሳዊ ደርቂ ዘጋጥም ምድሃልን ተስፋ ምቑራጽን፣ "ብዙሕ ጥሪት"[15] ስለዝሓዝና ዝወረደና ሓዘን፣ ንጐይታ ሹለንትናና ከምዘየወፈና የርኢ። ጸሎትና ከም'ቲ ድልየትና ኪሰመዓልና ብዘይምርካቡ ምጕሃይ፣ ከም መጠን ኃጢኣተይናታት በቲ ውርደት ምእንቲ ከይንድቈስ፣ ናጻን ብዘይሞያና ዝረኸብናዮ ጸጋን ማለት ጸሎት እዩ፣ ንዚብል ሓሳብ ምቅዋምና…ወዘተ…እቲ መዛዘሚ ወትሩ ንሱ እዩ፣ ጸሎት ምግባር እንታይ ረብሓ ኣለዎ? ነዚ መሰናኽላት'ዚ ንምስዓር፣ ትሕትና፡ ተኣማንነትን ትዕግሥትን ቀጻልነትን ንምጭባጥ ክንዋጋእ ኣሎና።

# II. ትሕትና ዝዓዘዞ ንቕሓት-ልቢ

## ኣብ ጸሎት ዘጋጥም ጸገማት

**2729** ኣብ ጸሎት ዘጋጥም ልሙድ ጸገም ምብትታን ሓሳብ እዩ። ነቲ ኣብ 2711
ድምጻዊ ጸሎት ዚዝውተር ቃላትን ትርጓሜኡን (ኣንድምታኡን) ዚጸሉ እዩ።

[15] ማር 10፡22 ረአ

ብዝዓመቼ ኣገባብ ድማ፡ ብሊጡርግያዊ ወይ ውልቃዊ ድምጻዊ ጸሎት ኮነ፣ ኣስተንትኖ፣ ከምኡ ብሰቂለኅሊናዊ ጸሎት ክንጽሊ ከሎና፣ እቲ ብጸሎት እንቐርቦ ዘሎና (ኣምላኽ) ባዕሉ ኣዝዩ ኪግደሰሉ ዚከኣል እዩ። እቲ ዘድሊ ነገር ናብ ልብና ምምላስ እንኪኸውን፣ ነዚ ናይ ሓሳባት ምብትታን ክትሃድን ምውፋር ማለት፣ ኣብ መጻወድያኡ ምእታው ከስምዕ'ውን ይኽእል። እቲ ምብትታን እንተደኣ ኮይኑ፣ ኣብ ምንታይ ጠቢቕናን ወይስ ተኣሳሲርና ከምዘሎና ዚገልጽ እዩ። እዚ ትሑት ዝኾነ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሒዝናዮ እንቐርብ ንቕሓተ-ኅሊና ድማ፡ ኣባና ብምርጫ ዚተሓዝ ፍቕሪ-ክርስቶስ ከለዓዕል ይርከብ። ኪነጽሕ ዘለዎ ልብና ብቈራጽ ውሳኔ ንኸነወፍየሉ ይመርሓና። ኣብ'ዚ ድማ እዩ እቲ ገድልን ውግእን ዘሎ፣ ነየናይ ጐይታ ከምተገልግል ምምራጽ ቀሊል ኣይኮነን።[16]

**2730** ኣባና ንዘሎ፡ ወናንን ዓብላልን ኣንነት ንምጥፋእ ኣብ እንገብሮ ውግእ፣ 2659 ንቕሓትን ናይ ልቢ ርግኣትን የሓትት። ኢየሱስ ብዛዕባ ንቕሓት ኪዛረብ ከሎ፣ ወትሩ ምስ ርእሱ፣ ምስ'ቲ ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ኮነ፣ ሕጂ መዓልታዊ ማለት ሎሚ ዚገብሮ ምምጻኡ ኣዛሚዱ እዩ። እቲ መርዓዊ ኣጋ ፍርቂለይቲ ይመጽእ፣ እቲ ኪጠፍእ ዘይግበኦ ብርሃን፣ እቲ ናይ እምነት ብርሃን እዩ። "ነዓ" ይብል ልበይ፣ "እኔኹ ኦ ጐይታይ ገጽካ ኣይትሕበኣለይ" በልኩ።[17]

**2731** ካልእ ጸገም፣ ብፍላይ ነቶም ብቕንዕና ኪጽልዩ ዚደልዩ ዘጋጥሞም 1426 ኵነት መንፈሳዊ ድርቀት እዩ። ልቢ ካብ ኣምላኽ ምስረሓቕ'ሞ፡ ሓሳባት፡ ዝኽርታት፡ መንፈሳዊ'ውን ይኹን ስምዒታት ዘየስተማቕረሉ ሃለዋት ምስኮነ፡ ሽው ኣብ'ቲ ሰቂለኅሊናዊ ጸሎት ድርቀት ይስመዓካ። እዚ እዋን'ዚ ምስ ኢየሱስ ኣብቲ ሥቓያቱን መቓብሩን ብጽሩይ እምነትን ብተኣማንነትን እንጽመደሉ ግዜ እዩ። "ፍረ-ስርናይ ኣብ ምድሪ ወዲቓ እንተዘይሞተት በይና እያ እትነብር። እንተሞተት ግና ብዙሕ ፍረ ከምተፍሪ በሓቂ በሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።"[18] እቲ ቓል ኣብ ከውሒ መሬት ስለዝወደቐ፣ እቲ ድርቀት ብስእነት ሠራውር ዝመጽአ እንተደኣኮይኑ፣ ኣብ'ቲ መንፈሳዊ ገድል ንስሓ ምፍጻም የድሊ።[19]

## ኣብ ግዜ ጸሎት ዘጋጥም ፈተና

**2732** እቲ ኣዝዩ ልሙድ፣ ግን ከኣ ሥዉር ዝኾነ ፈተና ዋሕዲ-እምነት እዩ። 2609 እዚ ዚግለጽ ድማ ጋህዲ ብዚግበር ምንጻግ-እምነት ዘይኮነስ፣ ኣውራ በቲ ግብራዊ 2089 ምርጫኔን ውሳኔን መደብ ሕይወትን እዩ። ጸሎት ምስጀመርና፡ ኣሽሓት ስራሓትን 2092 ካልእ ጒዳያትን፡ ቀዳምነት ንኺወሃቦ ይቀዳደመልካ፤ ሕጂ'ውን እንተኾነ ንልቢ 2074

[16] ማቴ 6:21፣ 24 ረአ
[17] መዝ 27:8
[18] ዮሓ 12:24
[19] ሉቃ 8:6፣ 13 ረአ

ናይ ሓቅነት እዋን እዩ:- እቲ ናይ ሓቂ ፍቕሩ እንታይ እዩ? ሓደሓደ ግዜ ከም ናይ መወዳእታ ምርጫ፣ ናብ ጐይታ ንመጽእ ኢና፤ ግና ብሓቂዶ ከምኡ ምዃኑ ነኣምን ኢና? ገሊኡ ግዜያት ድማ፡ ንጐይታ ከም መሓዛ (ሓጋዚ) ንርእዮ፣ ልብና ግን ካብ ልክዕ ንላዕሊ ዚጽበ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ኩሉ ዚረአ ዘሎ ድማ፣ ጋና ሕጂ'ውን ኣብ'ቲ ናይ ትሑት ልቢ ኣተና ዘይተሳተፍና፡ እቲ ዋሕዲ እምነትና ዚገልጸ ነገር እዩ። "ብዘይካይ ሓንት'ኳ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን" ኢኹም።"[20]

2733 ትዝኅርትን ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ግምትን መንገዲ ዚኸፍተሉ ካልእ ፈተና፡ ትህኪትን ስንፍና-መንፈስን እዩ። እዚ ድማ ካብ'ቲ ዘይተሠርዐ መንፈሳዊ ሕይወት፣ ጥንቃቐን ንቕሓትን ዝጐደሎ ኣከያይዳን፣ ካብ ናይ ልቢ ሸለልትነትን ከምዚመጽእ፣ ናይ'ቶም መንፈሳውያን ደረስቲ ርድኢት እዩ። "መንፈስ ድልው እዩ፣ ሥጋ ግን ድኹም እዩ"[21]፣ እቲ ዕቤት (ሥልጣን) ከምዝለዓለ መጠን፡ እቲ ውድቀት ከኣ ዝበርትዐ እዩ። ንያት ምዕራብ (ምድሃል) ዘሣቑ'ኳ እንተኾነ ብተጻዩ ከኣ ዓቕ ድፍረትን፣ ትዝኅርትን ኣሎ። እቶም ትሑታት፡ በቲ ጸበባታቶም ኣይሰናበዱን'ዮም፤ ናብ ዝበለጸ ተስፋ ይመርሖም፣ ብጽንዓት ንኺቕጽሉ ይሕግዞም። 2094 2559

## III. ውሉዳዊ ምትእምማን

2734 ውሉዳዊ ምትእምማን፣ ብግዜ ጸገምን ጸበባን ይምዘንን ይረጋገጽን።[22] 2629
እቲ ቀንዲ ጸገም ምእንቲ ርእስኻ ወይ ምእንቲ ካልእ ንተቕርቦ ንጸሎተ ልመና ዚርኢ እዩ። ገሊኣቶም እሞ ኸኣ ጸሎቶም ዘይስማዕ ስለዚመስሎም ጸሎት ምግባር የሓድግዎ። ኣብ'ዚ ግን ኪሕተት ዚግበኦ ክልተ ሕቶ ኣሎ:- ልመናና ኣይተሰምዐን ኢልና ስለምንታይ ነሓስብ? ጸሎትናኸ ብኸመይ እዩ ዚስማዕ? ከመይ ኢሉ እዩኸ ዜስልጥ?

## ኣይተሰማዕናን ኢልና ስለምንታይ ነጕረምርም?

2735 ቅድሚ ኹሉ፡ ከገርመና ዘለዎ ሓደ ክዉን ነገር ኣሎ። ንእግዚኣብሔር ክንውድሶ፣ ወይ ድማ ስለ'ቲ ኹሉ በረኸታቱ ክነመስግኖ ከሎና፣ እዚ ጸሎትና በኣኡ ተሰሚዑዶ? ወይስ ኣይተሰምዐን? ኢልና ብፍሉይ ኣገባብ ኣይንግደሰሉን ኢና። በቲ ሓደ መዳይ ግን፡ ናይ ጸሎተ ልመናና ውጽኢቱ ክንርኢ ንምነ፡ ነሓትት። ከም'ዚ ናብ ዝበለ ጸሎት ዚድርኸና ዘሎ ናይ ኣምላኽ ሥእሊ ወይ ግምት ከመይ ዝበለ እዩ? ንኣምላኽሲ ከም ሓደ እንጥቀመሉ መጋበሪ ዲና ነሓስቦ? ወይስ ከም መጠን ኣቦኡ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኢና እንርእዮ? 2779

[20] ዮሓ 15:5
[21] ማቴ 26:41
[22] ሮሜ 5:3-5 ረአ

**2736** “ክም’ቲ ዚግበኣና ገቢርና ምጽላይ ከምዘይንኽእሎ ወይ ከምዘይንፈልጥ”
2559 ይርደኣና ድዩ?[23] ንእግዚኣብሔር እንልምኖ ዘሎና “እቲ ነኣና ዚጠቅም ድዩ?”
1730 እቲ ነኣና ዜድልየና ጠቓሚ፣ ንሕና ቅድሚ ምሕታትና፡ እግዚኣብሔር-ኣቦና
ይፈልጦ እዩ፤[24] እንተኾነ ናይ’ዞም ደቁ ክብረትን ዕቤትን ኣብ’ቲ ናጽነትና
ስለዝኾነ፣ ነቲ ብናጻ እንገብሮ ልመናና ኪጽበ ግዲ እዩ። ንሱ እንታይ ከምዚደሊ
በሓቂ ንምፍላጥ፡ በቲ ናቱ መንፈስ-ናጽነት ተሓጊዝና ክንጽሊ ይግበኣና።[25]

**2737** “ንፍትወት-ሥጋኹም ምእንቲ ኽተርውዩ ኢልኩም ብኽፉእ ሓሳባት ስለ እትልምኑ ኣይትቕበሉን።”[26] ብዝተኸፋፈለ ልቢ ንልምን እንተኾይንና “ኣመንዝራታት” (ከሓድቲ) ኢና[27]። ሕይወትናን ድኅነትናን ስለዚደሊ፡ ኣምላኽ ብኸምዚ ኣይሰምዓናን እዩ። “ነቲ ኣባና ኣሕዲርዎ ዘሎ መንፈስ፣ ኣምላኽ ብቕንኣት እዩ ዚሕልዎ” ዚብል ቃል ቅዱስ መጽሓፍ ከንቱዶ ይመስለኩም?”[28] በኣና ዝመጽእ ኣምላኽና “ቀናእ” ምዃኑ፣ ፍቕሩ መጠን ከንደይ ሓቀይና ምዃኑ ዘርኢ እዩ። ኣብ’ቲ ባህጊ መንፈሱ እንተኣቶና፡ ክንሰማዕ ኢና።

> እቲ ዝለመንካዮ ነገር፡ ብኡብኡ ካብ ኣምላኽ እንተዘይተቐበልካዮ ብዙሕ ኣይትጨነቕ። ከመይሲ ንስኻ ኣብኡ ብጸሎት ጸኒዕካን ተጸሚድካን ከሎኻ፣ ንሱ ነኣኻ ዚኸውን ዝዓበየ ነገራት ኪገብር እዩ ዚደሊ።[29]
>
> ነቲ ንሱ ኪህቦ ተቐሪቡሉ ዘሎ ዘበለ ንምቕባል ምእንቲ ክንበቅዕ፣ ባህግና ብጸሎትን ኣብ ጸሎትን ኪፍጸም ድላይ ኣምላኽ እዩ።[30]

## ጸሎትና ብኸመይ እዩ ዘስልጥ?

**2738** ኣብ ሥነምጋቤ ድኅነት ዚግለጽ መደብ ጸሎት ከምዚምህረና፣
2568 እምነትሲ ብታሪኽ ኣብ ዚገሃድ ስራሕ-ኣምላኽ ዝተመርኰሰ እዩ። እቲ ውሉዳዊ
307 ምትእምማንና ድማ በቲ ልዑል ተግባራቱ፡ ማለት ብናይ ወዱ ሥቓያትን ሞትን
ትንሣኤን ኪበርህ ይርከብ። ጸሎተ ክርስትና ከኣ፡ ንደቅሰብ ምስ ዘለዎ መደብ
ፍቕሩ፡ ማለት ምስ መለኮታዊ ኃልዮቱ ዚግበር ምትሕብባር እዩ።

---

[23] ሮሜ 8፡26
[24] ማቴ 6፡8 ረአ
[25] ሮሜ 8፡27 ረአ
[26] ያዕ 4፡3፣ ብምሉኡ ረአ፡ ያዕ 4፡1-10፣ 1፡5-8፣ 5፡16
[27] ያዕ 4፡4
[28] ያዕ 4፡5
[29] ኤቫግሪዮስ ጶንቲኩስ De oratione 34፡ PG 79, 1173.
[30] ቅ.ኣጎስጢኖስ Ep. 130, 8, 17፡ PL 33, 500.

**2739** ንቅዱስ ጳውሎስ እዚ ምትእምማንʼዚ ተባዕ እዩ፤ ምኽንያቱ ኸኣ፡ መንፈሱ ኣባና ኣብ ዚጽልዮ ጸሎትን፣ ኡንኮ ወዱ ኣብ ዝሃበና ናይ ኣቦ እሙን ፍቕሩን ዝተመሥረተ እዩ።[31] ንልመናና ዚወሃብ ቀዳማይ ምላሽ፡ ናይʼቲ ዚጽሊ ልቢ ምልዋጥ(ምሕዳስ) እዩ። 2778

**2740** ንጸሎተ ክርስትና፡ ብቑዕን ዘስልጥን ልመና ዚገብሮ፣ ጸሎት ኢየሱስ እዩ። ንሱ ኣብነቱን ኣርኣያኡን እዩ። ኣባናን ምሳናን ኮይኑ ይጽሊ። ናይ ወልድ ልቡ፣ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ደስ ዘብል ጥራሕ እናደለየስ፣ ጸጋ ውሉድነት ናይ ዝረኸቡ ጸሎቶም፡ ከመይ ኢሉ እዩ፡ ኣብ ክንዲ ወሃቢ፡ ናብቲ ውህበት ዘተኵር? 2604

**2741** ኢየሱስ ነኣናʼውን ይጽልየልና እዩ፣ ኣብ ክንዳናን ምእንታናን ይጽሊ። 2606
በʼቦኡ ኣብ ዝተሰምዐ ናይ መስቀል ጽራሑን፡ ትንሣኤኡን፣ ኩሉ ልመናታትና 2614
ሓንሳብን ንወትሩን ተወሃሊሉን ተጠቓሊሉን ይርከብ። ስለʼዚ እዩ ኸኣ፡ ኣብ የማን-ኣቦኡ ኮይኑ ምእንታና ምምላድ ዘየቋርጽ።[32] ብናይ ውሉድ ትብዓትን ተኣማንነትን ዝተገብረ ጸሎትና፡ ብዘየዳግም መንገዲ ምስ ጸሎት-ኢየሱስ ዝተወሃሃደ እንተኾይኑ፣ እቲ ብስሙ እንልምኖ ኩሉ ክንረኽቦ ኢና፣ ካብʼቲ ፍሉይ ዝኾነ ነገራት እቲ ዝዓበየ፣ እቲ ንኹሉ ህያብ ዝሓቚፈ መንፈስ ቅዱስ ብርእሱʼውን ይወሃበና።

## IV. ኣብ ፍቕሪ ምጽናዕ

**2742** “ከየቋረጽኩም ጸልዩ...ንእግዚኣብሔር-ኣቦና ስለ ኹሉ ነገር ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኩሉሳዕ ኣመስግንዎ”።[33] ቀጺሉʼውን ቅዱስ ጳውሎስ “ብኹሉ ጸሎትን ልማኖን ኩሉሳዕ ብመንፈስ ጸልዩ፤ ስለʼዚ ከኣ ተስፋ ከይቈረጽኩም፣ ስለ ኹሎም ኣመንቲ (ቅዱሳን) ኣብ ጸሎት ተጸመዱ”[34]። ምኽንያቱ ኸኣ “ብዘይምቍራጽ ክንጽሊ ደኣ እዩ ተመዲቡልና እምበር፣ ቀጺልና ብዘይ ምቍራጽ ክንሰርሕ፡ ክንነቅሕ፡ ክንጸውም ኣይኮናን ዝተኣዘዝና”።[35] እቲ ዘይደክም ዘይሕለል ባህግን ድልየትን ካብ ፍቕሪ ጥራሕ ኪፍልፍል ይርከብ። ተጻይʼቲ ዛሕልናን ትህኪትናን ዚግበር ናይ ጸሎት ገድል፡ ኣብ ትሕትናን ተኣማንነትን ጽንዓትን ዝተመርኰሰ ፍቕሪ እዩ። እዚ ፍቕርʼዚ ድማ ንልባትና ብምርሓው፡ ሕይወትን ብርሃንን ዚህብ ንጸሎት ዚርኢ ሠለስተ ናይ እምነት ነገራት ከምዘስተውዕል ይገብሮ። 2098
162

---

[31] ሮሜ 10:12-13፣ 8:26-39 ረአ
[32] ዕብ 5:7፣ 7:25፣ 9:24 ረአ
[33] 1 ተሰ 5:17፣ ኤፌ 5:20
[34] ኤፌ 6:18
[35] ኤቫግሪዮስ ጶንቲኩስ Pract. 49፡ PG 40, 1245C.

**2743** *ወትሩ ምጽላይ ይከኣል እዩ።* ዝኾነ ዓይነት ማዕበል እንተተላዕለ'ውን ብዘየገድስ፣ እቲ ናይ ክርስትያን ግዜኡ፣ ናይ'ቲ ወትሩ ምሳና ዘሎ ዝተንሥአ ክርስቶስ ግዜ እዩ።[36] ግዜና ኣብ ኢድ-ኣምላኽ እዩ፡-

> ኣብ መንጎ ሕዝቢ ኣብ እትጕዓዘሉ፣ ወይ ከኣ በይንኻ ኣብ እትንቀሳቐሰሉ፣ ወይ ከኣ ኣብ ቤትሸቓጥ ኮፍ ኢልካ....እናዓደግካ እናሸጥካ....ምግቢ እናሰራሕካ'ውን ከይተረፈ፣ ውዕዉዕ ጸሎት ምዕራግ ይከኣል።[37]

**2744** *ጸሎት ንሕይወት ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ።* ተጻዩ ዚቐርብ መረጋገጺ'ውን፡ መረዳእታኡ ዝነኣሰ ኣይኮነን። ብመንፈስ ቅዱስ ክንምራሕ እንተ ዘይፈቐድና፡ ተመሊስና ኣብ ባርነት ኃጢኣት ምውዳቕና ዘይተርፍ እዩ።[38] ልብና ካብኡ ርሒቑ እንተተረ'ኺቡስ፡ መንፈስ ቅዱስ ከመይ ኢሉ እዩ ሕይወትና ኪኸውን ዚኽእል?

> ምስ ጸሎት ዚወዳደር ወይ ዚመዓራረ የልቦን። ንዘይከኣል፡ ከምዚከኣል፣ ንጽንኩር ቀሊል ዚገብር እዩ....ብዕቱብ ዚጽሊ ኮነ፡ ብዘይምቍራጽ ንኣምላኹ ዚምህለል ሰብ፡ ኃጢኣት ኪፍጽም፡ ዘይከኣል፣ ፈጺሙ እውን ዘይከኣል እዩ።[39]

> እቶም ዚጽልዩ፡ ብርግጽ ዝደሓኑ እዮም? ብተጻዩ ከኣ እቶም ዘይጽልዩ ብርግጽ ተኾኒኖም እዮም።[40]

**2745** *ጸሎትን ሕይወት-ክርስትናን ዘይነጻጸል እዩ።* ምኽንያቱ ከኣ ክልቲኡ
2660 በታ ሓንቲ ፍቕሪ፣ ካብኣ ብእትፍልፍል ሓንቲ ርእሰምናኔ ዚግደስ እዩ፣ ምስ ናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ መደብ ፍቕሪ ዚኸይድ ውሉዳዊ ናይ ፍቕሪ ስኒት፣ እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዚፍጸም በብደረጃኡ ንኢየሱስ ክርስቶስ ዘምስለና ለዋጢ ሓድነት፣ እታ ንዅሎም ሰባት እትወሃብ፡ ኢየሱስ በኣኣ ገቢሩ ዘፍቀረና ፍቕሪ፡ እዚ ዅሉ ንጸሎትን ንሕይወት ክርስትናን ዚግድስ እዩ። "እቲ ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኪህበኩም እዩ። ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ እዚ እእዝዘኩም ኣሎኹ።"[41]

> ንጸሎት ምስ ተግባር፣ ንጽቡቕ(ሠናይ) ተግባራት ከኣ ምስ ጸሎት ዘወሃህድ "ብዘይምቍራጽ ኪጽሊ" ይርከብ። ብዘይምቍራጽ ምጽላይ፣ ዚብል መምርሒ ኣብ ግብሪ ኪውዕል ዚኽእል፣ በዚ መንገድ'ዚ ጥራሕ ምዃኑ ኪርደኣና ይኽእል።[42]

---

[36] ማቴ 28፡20፣ ሉቃ 8፡24 ረአ
[37] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ Ecloga de oratione 2፡ PG 63, 585.
[38] ገላ 5፡16-25 ረአ
[39] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ De Anna 4, 5፡ PG 54, 666.
[40] ቅ.ኣልፎንሱስ ሊጎሪ Del gran mezzo della preghiera.
[41] ዮሓ 15፡16-17
[42] ኦርጌንስ De orat. 12፡ PG 11, 452C.

# ኣንቀጽ 3
# ናይ'ታ ሰዓት-ኢየሱስ ጸሎት

2746 "ሰዓቱ" ምስ በጽሐት፣ ኢየሱስ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦኡ ጸለየ።[43] 1085
እቲ ኣብ ወንጌል ተዘጊቡልና ዘሎ ዝነውሐ ጸሎቱ፣ ንመላእ ሥነምጋቤ ፍጥረትን ድኅነትን፣ ከምኡ'ውን ሞቱን ትንሣኤኡን ዘጠቓልል እዩ። ልክዕ ከምቲ ፋሲካኡ "ሓንሳብ ንወትሩ" ኣብ ሊጡርግያ ቤተክርስትያን ህልው ኮይኑ ዚነብር፣ ናይ'ዛ ሰዓት-ኢየሱስ ጸሎት ድማ ወትሩ ናቱ ጸሎት ኮይኑ ዚነብር እዩ።

2747 ትውፊት-ክርስትና ነዚ ጸሎት'ዚ፣ "ክህነታዊ" ጸሎት-ኢየሱስ ኪብል ይሰምዮ። ካብ'ቲ መሥዋዕቱን፣ ብዅለንትናኡ ናብ ኣቦኡ ዚውፈየሉን፣ ካብ'ቲ ናብኡ ምስግጋሩን (ፋሲካኡን) ዘይፍለ፣ ናይ ሊቀካህንና ጸሎት እዩ።[44]

2748 ኣብ'ዚ ንፋሲካኡን ንመሥዋዕቱን ዚርኢ ጸሎት፡ ኩሉ ነገር ኣብ 518
ክርስቶስ ተጠቓሊሉ ይርከብ።[45] እግዚኣብሔርን ዓለምን፣ እቲ ቃል-ኣምላኽን 820
ሥጋን፣ ዘለዓለማዊ ሕይወትን ግዜን፣ እታ ርእሳ እተወፌ ፍቕርን፡ ነኣኣ ዚኽሕድ ኃጢኣትን፣ እቶም ዘለዉ ተመሃርቱን፡ ብቓላቶም ኣብኡ ኪኣምኑ ዘለዎምን፣ ውርደትን ክብረትን እዚ ኹሉ ኣብኡ ተጠቓሊሉ ኣሎ። ስለ'ዚ ናይ ሓድነት ጸሎት እዩ።

2749 ኢየሱስ ንስራሕ እግዚኣብሔር-ኣቦ ብምልኣት ፈጺምዎ እዩ። ጸሎቱ 2616
ድማ፡ ልክዕ ከም'ቲ መሥዋዕቱ ክሳብ መወዳእታ ዓለም(ግዜ) ይበጽሕ። ናይ'ዛ ሰዓት'ዚኣ ጸሎት ነቲ ናይ ግዜ መዠመርታን መፈጸምታን ዚመልእን ናብ ተፍጻሜቱ ዜብጽሖን እዩ። እግዚኣብሔር-ኣቦ ኩሉ ነገር ዘወፈዮ ወልድ፣ ተመሊሱ ርእሱ ብዅለንትናኡ ነቦኡ ኣወፈየ፤ እንተኾነ፡ እግዚኣብሔር-ኣቦ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሥጋ ብዝሃቦ ክእለት-ሥልጣን፡ ብልዑል ናጽነት ርእሱ ኪገልጽ ይርከብ።[46] ርእሱ ኣገልጋሊ ዝገበረ ወልድ፣ ("እግዚኣ-ኩሉ"-Pantocrator) ጐይታ-ኩሉ እዩ። እቲ ምእንታና ዚጽሊ ሊቀካህንና፣ ንሱ እቲ ምሳና ኮይኑ ዚጽልን፣ ጸሎትና ዚሰምዕን ኣምላኽ እዩ።

2750 ናብ'ቲ ናይ ጐይታ ኢየሱስ ቅዱስ ስሙ ብምእታው፣ ነቲ ዚምህረና 2815
ጸሎት፡ "ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር" ኣብኡ ኣብ ውሽጢ ክንቅበሎ ንኽእል። እቲ ክህነታዊ ጸሎቱ፡ ድማ ነቲ ናይ ጸሎት-ጐይታ ዓበይቲ ልመናታት ፍጻሜ ዚህብ እዩ። እዚ ከኣ፣ ብናይ ኣቦኡ ስም ዘለዎ ተገዳስነት[47] ንመንግሥቱ

[43] ዮሓ 17 ረአ
[44] ዮሓ 17:11፣ 13፣ 19 ረአ
[45] ኤፌ 1:10 ረአ
[46] ዮሓ 17:11፣ 13፣ 19፣ 24 ረአ
[47] ዮሓ 17:6፣ 11፣ 12፣ 26 ረአ

(ክብሩ) ዘለዎ ውፉይ ቅንኣት[48]፣ ብእግዚኣብሔር-ኣቦ ዝተደልየ መደብ ድኅነት ምፍጻም[49]፣ ከምኡ'ውን ካብ ክፍኣት ምድኃን እዩ።[50]

**2751** ኣብ መወዳእታ፣ ኣብ'ዚ ጸሎት'ዚ ኢየሱስ ዚህበና ነገር ኣሎ፤ ናይ
240 ሕይወት-ጸሎት ቀንዲ ምሥጢር ዝኾነን ዘይነጻጸልን ናይ ኣብን ወልድን[51]
ፍልጠት ይገልጸልና፣ ይህበና።

## ብሓጺር

**2752** ጸሎት፣ ተጻይ ርእስናን፣ ተጻይ'ቲ ተንኰል-ፈታንን (ሰይጣን) ቃልሲ ጻዕሪ የሓትት። እቲ ናይ ጸሎት ገድል፡ ካብ'ቲ ብመንፈስ ክርስቶስ ብልምዲ ንምስራሕ ዜድሊ "መንፈሳዊ ገድል" ዘይነጻጸል እዩ፤ ከም'ቲ እትነብሮ ስለእትጽሊ፣ ከም'ቲ እትጽልዮ ከኣ ትነብር።

**2753** ኣብ'ቲ ናይ ጸሎት ገድል፣ ብዛዕባ ጸሎት ንዚወሃብ ግጉይ ኣተሓሳስባ፣ ዝተፈላለየ ዚወናጨፍ ሓሳባት፣ ከምኡ'ውን ነቲ ዘጓንፈና ናይ ውድቀት ተመክሮ ኩሉ ክንገጥሞ ዘሎና እዩ። ንናይ ጸሎት ጠቕምን፡ ወላ'ውን ጸሎት ናይ ምግባር ክእለት ኣብ ሕቶን ጥርጥርን ንዘእቱ ፈተናታት፡ ብትሕትናን ምትእምማንን ብጽንዓትን ክንምልሾሉ ይግባእ።

**2754** ኣብ መደብ ጸሎት ዘጋጥም ቀንዲ ጸገማት ናይ ሓሳባት ዝርወትን (ምብትታንን) መንፈሳዊ ድርቀትን እዩ። ፈውሱ ድማ ኣብ እምነትን ንስሓን፡ ናይ ልቢ ንቕሓትን እዩ።

**2755** ንጸሎት ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ክልተ ተደጋጋሚ ፈተና ኣሎ፡- ዋሕዲ እምነትን፣ ዛሕሊ-መንፈስን ትህኪትን። እዚ ኸኣ ናብ ተስፋ-ቅብጸት ካብ ዚመርሕ ዘይሥሩዕ መንፈሳዊ ተግባር ዚፍልፍል ዓይነት ድኻምነት እዩ።

**2756** ጸሎትና ወትሩ ኣይስማዕን'ዩ ዚብል ግምት እንኪሓድረና፡ ውሉዳዊ ምትእምማን ኣብ ፈተና ኪወድቕ ይርከብ። ጸሎትና ምስ ባህጊ መንፈስ ቅዱስ ዚሰማማዕ እንተኾይኑ ርእስና ክንውከስ ወንጌል ዘቕርበልና መጸዋዕታ እዩ።

[48] ዮሓ 17፡1፣ 5፣ 10, 22፣ 23-26 ረአ
[49] ዮሓ 17፡2፣ 4፣ 6፣ 9፣ 11፣ 12፣ 24 ረአ
[50] ዮሓ 17፡15 ረአ
[51] ዮሓ 17፡3፣ 6-10፣ 25 ረአ

**2757** “ብዘይ ምቍራጽ ጸልዩ” (1ተሰ.5፡17)፤ ወትሩ ምጽላይ ዚከኣል እዩ።ናይ ሞትን ሕየትን ኣገዳስነት ኣለዎ። ጸሎትን ክርስትያናዊ ሕይወትን ከኣ ዘይነጻጸል እዩ።

**2758** እቲ ናይ ሰዓት-ኢየሱስ ጸሎት፣ “ክህነታዊ ጸሎት” (ዮሓ.17፡ ረአ) ተባሂሉ ኣሎ። እቲ ጸሎት'ቲ ንመላእ *ሥነምጋቤ* ፍጥረትን ድኅነትን ዘጠቓልል እዩ። “ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር” ኣብ ዚብል ጸሎት ንዘሎ ዓበይቲ ልመናታት ተፍጻሜት ይህቦ።

# ራብዓይ ክፍሊ
# ጸሎት ክርስትና

## ካልኣይ ወገን፡
## ጸሎት ጐይታና

ጸሎት ጐይታና

ኣንቀጽ 1፡ "ናይ መላእ ወንጌል ጽማቕ"

I. ዓንዲ ማእከል ቅዱሳት መጻሕፍቲ

II. "ጸሎት ጐይታና"

III. ጸሎት ቤተክርስትያን

ብሓጺር

ኣንቀጽ 2፡ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና

I. "ብትብዓትን ምትእምማንን ንብል"

II. "ኣቦ!"

III. "ናትና" ኣቦ-(ኣቦና)

IV. "ኣብ ሰማያት እትነብር"

ብሓጺር

ኣንቀጽ 3፡ ሾብዓተ ልመናታት

I. "ስምካ ይቀደስ"

II. "መንግሥትኻ ትምጻእ"

III. ፍቓድካ ኣብ ሰማይ ከምዝኾነ ከምኡ ኣብ ምድሪ ይኹን

IV. "ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና"

V."ንሕና ንዝበደሉና ይቕረ ከም እንብል፣ንበደላትና ይቕረ በለልና"

VI. "ኣብ ፈተና ኣይተእትወና"

VII. "ካብ ኵሉ ክፉእስ ኣድኅነና ደኣ"

ኣንቀጽ 4፡ ዛዛሚ (ምስጋና) ስብሓተ - ኣምላኽ

ብሓጺር

# ካልኣይ ወገን

# ጸሎት ጐይታና

## “ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር”

**2759** “ኢየሱስ ኣብ ሓንቲ ስፍራ ኪጽሊ ጸኒሑ ምስወድአ፣ ሓደ ካብ ደቀመዛሙርቱ ‘ጐይታይ! ከምቲ ዮሓንስ ንደቀመዛሙርቱ ዝመሃሮም ጸሎት መሃረና” በሎ።[1] ነዚ ልማኖ'ዚ ኣብ ዝሃቦ ምላሽ፡ ጐይታና ነቲ መሠረታዊ ጸሎት ክርስትና ንደቀመዛሙርቱን፡ ቤተክርስትያኑን ሕድሪ ኣረከቦም። ቅዱስ ሉቃስ ናይ'ተን ሓሙሽተ ልመናታት ሓጺር ጽሑፍ የቕርብ፣[2] ቅዱስ ማቴዎስ ግና ዝሰፍሐ ናይ'ተን ሾብዓተ ልመናታት ዝርዝር የመሓላልፍ።[3] ናይ ቤተክርስትያን ሊጡርግያዊ ትውፊት ድማ ነዛ ናይ ቅዱስ ማቴዎስ ጽሕፍቲ ከዘውትር ጸኒሑ ኣሎ፦

> ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር!
> ስምካ ይቀደስ፤ መንግሥትኻ ትምፃእ፤
> ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን፣
> ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና፣
> ንሕና ንዝበደሉና ከምዝሓደግናሎም፣ በደልና ሕደገልና፣
> ካብ ክፉእ ኣድኅነና'ምበር ናብ ፈተና ኣይተእትወና።

**2760** ኣብ'ተን ቀዳሞት ዘመናት ዝነበረ ሊጡርግያዊ ልማድ፡ ነዛ ጸሎት-
2855 ጐይታና ብስብሓተ-ኣምላኽ ይዛዝማ ነበረ። ኣብ መጽሓፍ ዲድስቅልያ (Didache)
2854 ብቕድሚኣ፡ “ከመይ ኃይልን ክብርን ንዘለዓለም ናትካ እዩ”[4] ዚብል ንረክብ። ኣብ'ቲ “ሥርዓተ-ሓዋርያት” ዝተባህለ ጽሑፍ፣ ነዛ ናይ ዲድስቅልያ “መንግሥትን” ዚብል ቃል ብቕድሚት ይውስኸላ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ድማ፡ ኣብ'ቲ ኤኩመኒካዊ ጸሎት ክሳብ'ዚ ግዜና ይዝውተር ኣሎ።[5] ትውፊት ቢዛንቲን እውን እንተኾነ፡... “ኃይልን ክብርን” ምስበለ “ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ” ዚብል ይውስኹሉ። ሮማዊ መጽሓፈ ቅዳሴ ከኣ፣ ነታ መወዳእታ ልመና፣ ናብ'ቲ ግልጺ ዝኾነ “ናይ ብፅዕቲ

---

[1] ሉቃ 11፡1
[2] ሉቃ 11፡2-4 ረአ
[3] ማቴ 6፡9-13 ረአ
[4] ዲድስቅልያ 8፣2፡ SCh 248፣174.
[5] Apostolic Constitutions, 7, 24, 1፡ PG 1, 1016

ተስፋ ትጽቢትን"፣ ዳግማይ ምጽኣት-ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስን ኣቢሉ ከማዕብላ ይርከብ።[6] ድሕር'ዚ ናይ'ቲ ዝተጋብአ ሕዝቢ ምቕባል፡ ወይ ነቲ ኣብ ሓዋርያዊ ሥርዓታት ዘሎ ስብሓተ-ኣምላኽ ምድጋም ይስዕቦ።

## ኣንቀጽ 1
## "ናይ መላእ ወንጌል ጽማቑ"

2761 ጸሎት-ጐይታና "በሓቂ ናይ መላእ ወንጌል ጽማቑ እዩ"።[7] "ጐይታና … ኣገባብ ጸሎት ምስ መሃረ፣ ኣብ ገሊኡ "ለምኑ ክትረኽቡ ኢኹም" ስለዝበለ፣ ነፍስወከፍ ድማ፡ ንሃለዋቱ ዚሰማማዕ ፍሉይ ልመናታት ብምቕራብ ኪምህለል ይኽእል፣ ግዳ በቲ ሥሩዕን ግቡእን ጸሎት(ጐይታና) ይጅምር፤ ከመይ እዚ ንተወሳኺ ባህግታትን ጸሎትን መሠረቱ እዩ።[8]

## I. ዓንዲማእከል ቅዱሳት መጻሕፍቲ

2762 መዝሙራት (ዳዊት) ናይ ጸሎተ ክርስትና ቀንዲ መግብን፣ ኣብ'ቲ ናይ ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት(ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር) ልመናታት'ውን ዚፈስስ ምኳኑ፡ ቅዱስ ኣጐስጢኖስ ድሕሪ ኣነጺሩ፣ ብኸምዚ ዚስዕብ ይዛዝም፡-

> ንዅሉ'ቲ ናይ መንፈሳዊ ጸሎታት ቃላት (ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዘሎ) ሓደ ብሓደ ረኣይዎ፣ ኣብ'ዚ ጸሎት ጐይታና ዘይተታሕዘን ዘይተጠቓለለን ገለ'ኳ ትረኽቡ ኢለ ኣይግምትን።[9]

2763 መላእ ቅዱሳት መጻሕፍቲ፣ - ሕግን ነቢያትን መዝሙራትን - ኣብ ክርስቶስ ተፍጻሜት ይረኽቡ[10]። ወንጌል ከኣ እዚ "ጽቡቕ ዜና" እዩ። እቲ ቐዳማይ ስብከቱ ድማ፡ ኣብ'ቲ ናይ እምባ ስብከት፡ ብቕዱስ ማቴዎስ ተጻሚቑ ቀሪቡ ኣሎ።[11] ናይ'ዚ ስብከት'ዚ ዓንዲማእከል፡ እቲ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚቐርብ ጸሎት እዩ። እቲ ጐይታ ዘውረሰና ነፍስወከፍ ልመና ኪበርሃልና ዘለዎ ድማ ብመንፅር'ዚ ኵነታት'ዚ እዩ፡- 102

> እዚ ጸሎት-ጐይታና፡ እቲ ኣዝዩ ፍጹም ዝኾነ ጸሎት እዩ….ኣብኡ እንልምኖ ነገራት ድማ፡ እቲ ብቕኑዕ ኣገባብ እንብህጎ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ በቲ ኪበሃጎ 2541

---

[6] ቲቶ 2፡13፣ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ 22፣Embolism after the Lord's Prayer
[7] ተርቱሊያን De orat. 1፡ PL 1, 1155.
[8] ተርቱሊያን De orat. 10፡ PL 1, 1165፣ ሉቃ 11፡9 ረአ
[9] ቅ.ኣጐስጢኖስ Ep. 130, 12, 22፡ PL 33, 503
[10] ሉቃ 24፡44. ረአ
[11] ማቴ 5፡7. ረአ

ዘለዎ መሥርዕ እውን እዩ። እዚ ጸሎት'ዚ ገለ ነገራት ክንልምን ብሕቱ ዘይኮነስ፣ በየናይ መሥርዕ ክንደልዮ ከምዘሎና ይምህረና።[12]

**2764** እቲ ናይ እምባ ስብከት (ኣንቀጸ ብፁዓን) ንሕይወት ዚኸውን
1965 ትምህርቲ እዩ፣ "ኣቡነ ዘበሰማያት" (ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር) ጸሎት እዩ።
1969 እንተኾነ ኣብቲ ሓደ ኮነ ኣብ'ቲ ካልእ፣ ብኽልቲኡ ወገን እቲ መንፈስ-ጐይታ ንሕይወትና ዜሓድስ ውሽጣዊ ምንቅስቓስ ብምልዕዓል፣ ንባህግናን ሃረርታናን ሓዲስ መልክዕ ይህቦ። ኢየሱስ ድማ፡ ነዚ ሓዲሽ ሕይወት ብቓሉ ይነግረና፣ ብጸሎትና ነኣኡ ክንልምን ከኣ ነጊሩና። ኣብኡ ናይ እትንበር ሕይወትና ቅንዕና፣ ኣብ ቅንዕና-ጸሎትና ዝተመርኰሰ እዩ።

## II. "ጸሎት ጐይታና"

**2765** እቲ ልሙድ ዝኾነ "ጸሎት ጐይታና" (ጸሎተ እግዚእ) ዚብል ኣበሃህላ፡
2701 ትርጕሙ፣ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዘቕነዐ ጸሎት፡ ዝተመሃርናዮን ዝተቐበልናዮን ካብ ጐይታ ምኧኑ ንምምልካት እዩ። እዚ ካብ ኢየሱስ ዝመጸና ጸሎት በሓቂ ፍሉይ እዩ፣ ንሱ "ናይ ጐይታ" እዩ። በቲ ሓደ መዳይ፣ ብቓላት'ዚ ጸሎት'ዚ ገቢሩ እቲ ኡንኮ ወልድ፣ ኣቦኡ ንዝሃቦ ቃላት፡ ኪህበና ይርከብ።[13] ስለ'ዚ ንሱ ናይ ጸሎትና መምህር እዩ። በቲ ካልእ መዳይ ድማ፡ ከም መጠን ዝተሠገወ ቃል፣ ነቲ ናይ ኣኅዋቱን ኣኃቱን ደቅሰባት ግድነትን ጸገማትን በቲ ሰብኣዊ ልቡ ይፈልጦ፣ ነኣና'ውን ይገልጸልና፣ ስለ'ዚ ንሱ ናይ ጸሎትና ኣብነት(ሞዴል) እዩ።

**2766** እንተኾነ ኢየሱስ እዚ ዚህበና ዘሎ፣ ብዘይምርዳእ ብሃንሳሰ-ለባም ጥራሕ
690 እንደጋግሞ ቀመር (ፎርሙላ) ኣይኮነን።[14] ኣብ ዝኾነ ድምጻዊ ጸሎት ከምዚግበር መንፈስ ቅዱስ ንደቂ-እግዚኣብሔር ናብ'ዚ ኣቦኦም ምጽላይ ዚምህሮም፡ በቲ ቃል-ኣምላኽ ገቢሩ እዩ። ኢየሱስ ዚህበና ድማ ነቲ ናይ ውሉዳዊ ጸሎትና ቃላት ብሕቱ ኣይኮነን። ምስኡ ማዕረ ማዕረ፣ ነዚ ቃላት'ዚ ኣባና ናብ "መንፈስን ሕይወትን" ዚልውጥ መንፈስ ቅዱስ ይህበና።[15] ብዝበለጸ'ውን፡ ናይ'ዚ ውሉዳዊ ጸሎትና መረዳእታን፣ ኪኸውን ከምዚኽእል መረጋገጽን፣ እግዚኣብሔር-ኣቦ "ነቲ ኣቦ፡ ኣቦዋ ኢሉ ዚጽውዕ መንፈስ-ወዱ ኣብ ልባትና ምፍሳሱ" እዩ።[16] ነቲ ባህግታትና ናብ ቅድሚ ኣምላኽ ዘቕርቦ፣ እዚ ጸሎትና'ዚ ስለዝኾነ፣ "እቲ ንልቢ ሰባት ዚምርምር" እግዚኣብሔር-ኣቦ "ሓሳብ መንፈስቅዱስ እንታይ ከምዝኾነ ይፈልጦ እዩ፤ ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ ምእንት'ቶም ቅዱሳን ዚጽሊ (ዘማልድ)

---

[12] ቅ.ቶማስ ኣኵናስ STh II-II, 83, 9
[13] ዮሓ 17:7 ረአ
[14] ማቴ 6:7፣1 ነገ 18:26-29 ረአ
[15] ዮሓ 6:63
[16] ገላ 4:6

ከም ፍቓድ-ኣምላኽ ገቢሩ እዩ"።[17] እዚ ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦና ዚቐርብ ጸሎት፣ ኣብ'ቲ ምሥጢራዊ ተልእኮት ወልድን መንፈስ ቅዱስ ዚስኳዕ እዩ።

## III. ጸሎት ቤተክርስትያን

**2767** እዚ ናይ ቃላት-ጐይታ ዘይከፋፈል ህያብን፣ ኣብ ልቢ ኣመንቲ ሕይወት ዚዘርኣሉ ህያባት መንፈስ ቅዱስን፣ ካብ ፈለማ ኣትሒዙ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ተቐባልነት ረኺቡ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ሕይወታ ኮይኑ ዝነበረ'ውን እዩ። እተን ቀዳሞት ማኅበራት-ምእመናን ኣብ ክንድ'ቲ ልሙድ ኣይሁዳዊ ሥርዓት "ዓሠርተው ሾመንተ ቡራኬ"፣ ነዚ ጸሎት-ጐይታና ንመዓልቲ ሠለስተ ግዜ[18] የዘውትርኦ ነበራ።

**2768** ብመሠረት'ቲ ሓዋርያዊ ትውፊት፡ እዚ ጸሎት-ጐይታና፡ ብቐንዱ ኣብ'ቲ ሊጡርግያዊ ጸሎት ዝተመሥረተ እዩ፡-

> ምእንቲ ኵሎም ኣኀዋትና፡ ብሓባር ጸሎት ከነዕርግ (ጐይታ) ይምህረና። ከመይሲ ንሱ፡ ኣብ ሰማያት እትነብር "ኣቦይ" ኣይበለን፣ እንታይ ደኣ "ኣቦና"፡ በዚ ከኣ ምእንት'ቲ ሓባራዊ ኣካል ልመናኡ ኣወፈየ።[19]

ኣብ ኵሉ (ትውፊት) ሥርዓታት-ሊጡርግያ ድማ ጸሎት-ጐይታና፡ ናይ'ቲ ጸሎተ-ሰዓታት ዓበይቲ ክፍልታት ቀንዲ ኣካል ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ'ተን ሠለስተ ምሥጢራት መባእታ-ክርስትና እውን ናይ ቤተክርስትያን ማኅበራዊ ባሕሪኡ ብፍሉይ ተንጸባሪቑ ይርከብ።

**2769** ኣብ ሥርዓተ ጥምቀትን፡ ናይ ሜሮን ቅብኣትን ዚፍጸም ናይዚ ጸሎት- 1243
ጐይታና ምውፋይ (ምሃብ)፣ ኣብ'ታ ሓዳስ ሕይወት ናይ ዚርከብ ሓዲሽ ልደት ምልክት እዩ። ጸሎተ-ክርስትና፣ ብቓላት-ኣምላኽ ገቢርካ ንኣምላኽ ምዝራብ ስለዝኾነ፣ እቶም ብሕያውን ነባርን ቃል-ኣምላኽ…ከምበሓዲሽ ዝተወልዱ"[20]፣ በቲ ወትሩ ዚሰምዖ ቃል ገቢሮም ንእግዚኣብሔር-ኣቦኦም ምምህላል ይመሃሩ። ምእንት'ዚ ኪድምሰስ ብዘይከኣል ኣገባብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ማኅተም-ቅብኣት ኣብ ልባቶም፣ ኣብ ኣእዛኖም ከናፍሮም፣ ከምኡ'ውን ኣብቲ መላእ ኣካል-ሕፃንነቶም ዝተኀትመ ስለዝኾነ፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ነቦኦም ኪጽውዑ ይኽእሉ። በዚ ምኽንያት'ዚ መብዝሕትኡ ንጸሎት-ጐይታና (ኣቡነ ዘበሰማያት) ዚርኢ ድርሳነ-ኣበው፣ ናብ ንኡሰ ክርስትያንን፣ ናብ'ቶም ሓደስቲ ተጠመቕትን ዝዓለመ ነበረ። ቤተክርስትያን ነዚ ጸሎት-ጐይታ ክትጽልዮ ከላ፣ በቶም ዚጽልዩን ምሕረት ዚቕበሉን "ዳግም ዝተወልዱን" ሰባት ዝቘመት ሕዝቢ ኮይና ትርከብ።[21]

---

[17] ሮሜ 8፡27
[18] ዲድስቅልያ 8፣3፡ SCh 248፣174 ረአ
[19] ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ Hom. In Mt. 19፣4፡ PG 57፣278.
[20] 1 ጴጥ 1፡23
[21] 1 ጴጥ 2፡1-10 ረአ

**2770** ኣብ ናይ መሥዋዕተ ቅዳሴ (ሊጡርግያ) ግብረ-ኣምልኾ፣ ጸሎት-
1350 ጐይታና ናይ መላእ ቤተክርስትያን ጸሎት ኮይኑ ስለዚቐርብ፣ ኣብኡ ምሉእ
ትርጕሙን ብቕዓቱን ይግለጽ። ኣብ መንጎ'ቲ ኣኰቴተ ቍርባንን ዕርገተ (ግዜ)
ቍርባንን ዚድገም ጸሎት-ጐይታ፣ በቲ ሓደ ወገን ነቲ ኣብ ምልዋጥ፣ ምህለላ
(ጽዋዔ) መንፈስቅዱስ (Epiclesis) ንዚግለጽ ልመናታትን ኣማልድነታትን
ዘጠቓልል እንኪኸውን፣ በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ብናይ ቅዱስ ቍርባን ሱታፌ
ኣብ ዚግለጽ መኣዲ-መንግሥተ ሰማይ ኣቓዲሙ ማዕጾ ኪኸሕኵሕ ይርከብ።

**2771** ኣብ መሥዋዕተ ቅዳሴ ዚድገም ጸሎት-ጐይታ፣ ናይ ልመናታቱ
1403 ማኅለቅታዊ (ምጽኣታዊ) ባሕርይ ይገልጽ። እዚ ጸሎት-ጐይታ እምበኣር፣ ብናይ
መንፈስቅዱስ ምውራድ (ርደት) ንዝጀመረን፣ ብዳግማይ ምጽኣት-ጐይታ ፍጻሜ
ንዚረክብን ዘመነ ድኅነት ዚሰማማዕ፡ "ናይ መወዳእታ ዘመን" ጸሎት እዩ።
ልመናታቱ ኸኣ፡ ካብ ጸሎታት-ብሉይ ኪዳን ዝተፈልየ ከም ምዃኑ መጠን፣ ብናይ
ክርስቶስ ስቕለትን ሞትን ትንሣኤን ኣብ ዝተጨበጠ ምሥጢረ ድኅነት፣ ወሳኒ
ብዝኾነ ኣገባብ ዝተመሥረተ እዩ።

**2772** ካብ'ዚ ነቕ ዘይብል እምነት እምበኣር፣ ነተን ሾብዓተ ልመናታት
1820 ነፍስወከፈን ሕይወት ዚህበን ተስፋ ይፍልፍል። እዚ ሾብዓተ ልመናታት ድማ
ናይ'ዚ እዋን'ዚ እህህታን ሥቓይን፣ "እንታይ ከምንኸውን ዘይግለጸሉ"[22] ነዚ እዋን
ተስፋን ትዕግሥትን ትጽቢትን ዚገልጽ እዩ። መሥዋዕተ ቅዳሴ ኮነ፡ እዚ ጸሎት-
ጐይታና፣ "ክሳብ ዚመጽእ" ንናይ ጐይታ ዳግማይ ምጽኣቱ ብሃንቀውታ ዚጽበን
ዚጥምትን እዩ።[23]

## ብሓጺር

**2773** "ኦ! ጐይታ! ጸሎት መሃረና" (ሉቃ.11፡1) ኪብሉ ደቀመዛሙርቱ ንዝቐረቡሉ ሕቶ፡ ኢየሱስ እንኪምልሽ "ኣቡነ ዘበሰማያት" (ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና) ዚብል መሠረታዊ ጸሎተ-ክርስትና ሕድሪ ሃቦም።

**2774** "ጸሎት-ጐይታና፡ በሓቂ ናይ መላእ ወንጌል ጽማቕ"[24] "ካብ ኩሉ ጸሎታት ኣዝዩ ፍጹምን ምሉእን ጸሎት"[25] እዩ። ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዓንደማእከል እዩ።

[22] 1 ዮሓ 3፡2፣ቆላ 3፡4 ረአ
[23] 1 ቆሮ 11፡26
[24] ተርቱሊያን De orat. 1፡ PL 1, 1251-1255
[25] ቅ.ቶማስ ኣኲናስ STh II-II, 83, 9.

**2775** “ጸሎት-ጐይታ” ዝተባህለሉ ምኽንያት ድማ፣ ናይ ጸሎትና መምህርን ኣብነትን ካብ ዝኾነ ጐይታ ኢየሱስ ዝተዋህበና ስለዝኾነ እዩ።

**2776** “ጸሎት-ጐይታ” ናይ ቤተክርስትያን ጸብለል ዝበለ ጸሎት እዩ። ናይ ጸሎተ ሰዓታት ዓበይቲ ክፍልታቱ ቀንዲ ኣካልን፣ ናይ መባእታ-ክርስትና ምሥጢራት ጥምቀት-ሜሮን-ቊርባን ክፍልን እዩ። ኣብ መሥዋዕተ-ቅዳሴ ተሰኺዑ ድማ፡ ልመናታቱን፣ ማኅለቅታዊ (ናይ መወዳእታ) ኣተናታቱን፣ ጐይታ “ክሳብ ዚመጽእ” (1ቆሮ.11 ፡ 26) ዘለዎ ተስፋታቱን፡ ዚገልጽ ባሕርያቱ ይረአ።

## ኣንቀጽ 2
# ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር

## I. “ብትብዓትን ምትእምማንን ንብል”

**2777** ኣብ ሮማዊ ሥርዓተ ኣምልኾ (ላቲን) እቲ ኣብ መሥዋዕተ-ቅዳሴ ዚሳተፍ ጉባኤ-ምእመናን፡ ብውሉዳዊ ትብዓት ናብ'ቲ ሰማያዊ ኣቦና ኪጽሊ ይዕደም። ምሥራቓዊ ሥርዓታተ-ሊጡርግያ'ውን ተመሳሳሊ ቃላትን መግለጺታትን ተጠቒሙን ኣማዕቢሉን እዩ- “ብምሉእ ምትእምማን ንብል ኣሎና” -“ነዚ እንበቅዕ ግበረና....” ዚብልን ካልእ ተመሳሳልን ቃላት ይጥቀሙ። “ናብ'ዚ ኣይትቕረብ፣ እዛ ደው ኢልካላ ዘሎኻ ቦታ ቅድስቲ ምድሪ እያ'ሞ፣ ኣሣእንካ ካብ ኣእጋርካ ኣውፅእ”[26] ዚብል ድምጺ፣ ሙሴ ካብ'ታ እትነድድ ቈጥቋጥ (ዕፀጻጦስ) ሰምዐ። ንናይ መለኮታዊ ቅድስና ልዳት ኪሳገሩ ዝኸኣለ ኢየሱስ ጥራሕ'ዩ፣ ምኽንያቱ ኸኣ “ንሱ ካብ ኃጢኣትና ምስ ኣንጻሓና”፣ “ኣነን እቶም ኣምላኽ ዝሃበኒ ውሉድን እነሆና”[27] ብምባል፣ ናብ ቅድሚ እግዚኣብሔር-ኣቦ ኣቕረበና።

> *ናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ፣ ከምኡ'ውን ናይ'ቲ መንፈስ-ወዱ ሥልጣን “ኣቦ! ኣቦዋ! ኢልና ክንጽውዕ እንተዘየኽእለና... ነዚ ናይ ባሪዩ ሃለዋትና ምርዳእና ንርእሱ ናብ መሬት መጥሓለና፣ ምድራዊ ኵነትና ከአ ምስ ሓመድ ተደባሊቑ ምተረፈ።... ናይ ወድሰብ ውሽጣዊ ህላዌኡ ካብ ላዕሊ ብዚመጽእ ኃይሊ እንተዘይነቓቓሕሲ፡ ኣየናይ መዋቲ ፍጡር እዩ ንእግዚኣብሔር “ኣቦ” ኢሉ ኪጽውዖ ዚደፍር!!*[28] 270

---

[26] *ዘፀ* 3፡5
[27] *ዕብ* 1፡3፣2፡13
[28] **ቅ.ጴጥሮስ ንባበወርቅ** Sermo 71, 3፡ PL 52, 401 CD፣*ገላ* 4፡6 *ረአ*

**2778** እዚ ምስ ጸሎት-ጐይታ ዘላለየና ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ፣ ኣብ ናይ
2828 ምሥራቕ ኮነ ምዕራብ ሥርዓተ-ኣምልኾ፡ በቲ ዘደንቕን ብባሕሪኡ ክርስትያናውን ብዝኾነ ቃል ትብዓትን እምነትን (ብግሪኽ = ፓረሲያ) ኪግለጽ ይርከብ። እዚ ድማ ትኽ ዝበለ ገርህነት፣ ውሉዳዊ ምትእምማን፣ ሕጉስ ርግጽነት፣ ትሑት ትብዓት፣ ከምዝተፈቐርካ ርግጽነት፣ ዚብል ሓሳባት ዝሓቖፈ እዩ።[29]

## II. "ኣቦ!"

**2779** ናይ ጸሎት-ጐይታ ቀዳማይ ንዝኾነ ቃል፣ ናትና ቓል ገቢርና ቅድሚ
239 ምድማጽና፣ "ካብ'ዚ ዓለም'ዚ" ሰሊኹ ካብ ዝኣተወና ገሊኡ ግጉይን መጋገይን ዝኾነ ሥእልታት፣ ንልብና ብትሕትና ከነንጽሖ ይግባእ። ትሕትና ድማ፡ ነዚ ዚስዕብ ክንግንዘብ ትሕግዘና፤ "ብዘይካ ኣቦ ንወልድ ሓደ'ኳ ዚፈልጦ የልቦን፣ ነቦ ድማ ብዘይካ ወልድን እቲ ንሱ ኪገልጸሉ ዚፈቱን" ማለት "ንኡሳን ሕፃናት" "እንተዘይኮይኑ ሓደ'ኳ ዚፈልጦ የልቦን"[30]። ናይ ልባትና ምንጻሕ ብወገን ውልቃውን ሕንጸተሰባውን ታሪኽ ካብ ዚፍልፍልን፡ ምስ ኣምላኽ ንዘሎና ርክብ ምስ ዚጸሉ ናይ ኣቦ ወይ ኣደ ሥእሊ ዝተኣሳሰረ እዩ። እግዚኣብሔር-ኣቦና ካብ ናይ'ዚ ፍጡር ዓለም መደባት ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ "ብዛዕባኡ" ዚህልወና ናትና ሓሳባት ምምሃዝ ማለት ንኸተምልኾም ወይ ንኸተፍርሶም ጣዖታት ምስራሕ እዩ። ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ምጽላይ ማለት ከምቲ ዝኾኖን፣ ከም'ቲ ወልድ'ውን ዝገለጸልና ናብ ውሽጥ'ቲ ምሥጢሩ ምእታው ማለት እዩ።

> "እግዚኣብሔር ኣቦ" ዚብል ቃል ዝተገልጸሉ ሰብ ወላ ሓደ'ኳ የልቦን። ሙሴ ብርእሱ'ውን እንተኾነ፣ ንእግዚኣብሔር መን ምዃኑ ምስሓተቶ፡ ዝሰምዖ ስም ፈጺሙ ካልእ እዩ። ስም እግዚኣብሔር ኣቦ ዝተገልጸልና ኣብ ወልድ እዩ፤ ከመይሲ እቲ "ወልድ" ዚብል ቃል፡ "ኣቦ" ንዚብል ሓዲስ ቃል ዝሓዘ እዩ።"[31]

**2780** በቲ ሰብ ዝኾነ ወዱ ስለዝተገልጸልናን፣ መንፈሱ'ውን በኣና
240 ከምዚፍለጥ ስለዚገብርን፡ ንእግዚኣብሔር "ኣቦ" ኢልና ክንጽውዖን ክንምህለሎን ንኽእል ኢና። ወልድ ምስ ኣቦ ዘለዎ፡ ውልቃዊ ርክብ ወድሰብ ኪርደኦ ዘይክእል፣ ኃይሊ መላእኽቲ'ውን ብንጹር ዘይርእዮ እዩ። ምስ'ዚ ግና፡ ኢየሱስ እቲ ክርስቶስ ምዃኑን፣ ንሕና'ውን ካብ ኣምላኽ ከምዝተወለድና ንነኣምን፡ እቲ መንፈስ-ወልድ ኣብ ሱታፌኡ ንምእታው ዕድል ይህበና።[32]

[29] ኤፌ 3፡12፣ዕብ 3፡6፣4፡16፣10፡19፣ 1 ዮሓ 2፡28፣3፡21፣5፡14 ረአ
[30] ማቴ 11፡25-27
[31] ተርቱሊያን De orat. 3፡ PL 1, 1155
[32] ዮሓ 1፡1፣1 ዮሓ 5፡1 ረአ

**2781** ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ እንክንጽሊ ምስኡን ምስ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስን[33] ሱታፌ ኣሎና። ድሕርʼዚ ኣዝዩ ሓዲሽ ብዝኾነ ናይ ምድናኽ መንፈስ ንፈልጦን ነለልዮን። እቲ ቀዳማይ ናይ ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት ቃል፣ ልመና ቅድሚ ምዃኑ፣ ኣብ ስግደት ወይ ኣምልኾት ዚቐርብ ቃለቡራኬ እዩ። ንእግዚኣብሔር ከም መጠን "ኣቦ"፣ ከም መጠን ኡነተይና ኣምላኽ ክንፈልጦ ማለት ነኣኡ ክብሪ ምሃብ ማለት እዩ። ስሙ ስለዝገለጸልናን፣ ኣብኡ ክንኣምን ጸጋ ስለዝዓደለናን፣ ብህላዌኡ ኣባና ኣብ መንጎና ስለዝሰፈረን ነመስግኖ። 2665

**2782** በቲ ሓደ ወዱ፣ መጠን ደቁ ስለዝቔጸረናን፣ ብጸጋ ኣብ ሕይወቱ ዳግም ስለዝወለደናን፣ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ከነምልኾ ንኽእል፦ ብጥምቀት ኣብʼቲ ምሥጢራዊ ኣካል-ክርስቶስ የወሃህደና፤ ካብ ርእሲ ናብ ኣባላት ብዚፈስስ ቅብዓት መንፈስቅዱስ፡ ካልእ "ክርስቶሳት" ይገብረና። 1267

> ደቂ ክንከውን ዝሓረየና ኣምላኽ፣ ብርግጽʼውን ምስʼቲ ዝኸበረ ኣካል-ክርስቶስ፡ ከምንወሃሃድ ገቢሩና እዩ። ምእንትʼዚ ድማ እቶም ኣብ ክርስቶስ ተሳተፍቲ ዝኾንኩም "ክርስቶሳት" ተባሂልኩም ኢኹም።[34]

> እቲ ዳግም ዝተወልደን፡ ብጸጋ ናብ ኣምላኹ ዝተመልሰን ሓዲስ ሰብ፣ ሕጂ ውሉድ ምዃን ስለ ዝጀመረ፣ ቅድሚ ኹሉ "ኣቦ" ኪብል ይርከብ።[35]

**2783** ምእንትʼዚ እቲ ጸሎት-ጐይታና፡ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ንኣና እንኪገልጾ ምስኡ ማዕረ ማዕረ ድማ፡ ብዛዕባ ርእስና ይገልጸልና።[36] 1701

> ኦ! ሰብ ገጽካ ናብ ሰማይ ኣቢልካ ከተቕንዕ ኣይደፈርካን፤ ዓይንኻ ናብ ምድሪ ገጽካ ነቔትካዮ፣ ሃንደበት ድማ ኩሉ ኃጢኣትካ ዘበለ ተኃዲጉልካ እዩ፡ ዚብል ጸጋ-ክርስቶስ ተቐበልካ። ካብ ሓደ ድኹም ባርያስ፡ ሞገስ ዝረኸበ ሕያዋይ ውሉድ ንምዃን በቓዕካ...ምእንትʼዚ ናብʼቲ ብጥምቀት ዝወለደካ ኣቦኻ፣ ናብʼቲ ብወዱ ገቢሩ ዘድሓነካ ኣቦኻ፡ ኣዕይንትኻ ቋሕ ኣብል፣ "ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር..." እውን በሎ። እንተኾነ ዝኾነ ይኹን ሓለፋ ይብጸሓኒ እዩ ኣይትበል። ንሱ ብፍሉይ መንገዲ ናይ ክርስቶስ ንብሕቱ ኣቦኡ እዩ፤ ናይ ኵልና ሓባራዊ ኣቦʼውን እዩ፤ ከመይሲ ንሱ ንክርስቶስ ጥራሕʼዩ ዝወለደ፣ ነኣና ግን ፈጢሩና እዩ። እሞ እምበኣር፣ ውሉድ ምዃን ንኽትበቅዕ፡ ብጸጋኡ "ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር" በሎ።[37]

---

[33] 1 ዮሓ 1፡3 ረአ
[34] ቅ.ቄርሎስ ዘኢየሩሳሌም Catech. myst. 3, 1፡ PG 33, 1088A.
[35] ቅ.ቆጵርያኖስ De Dom. orat. 9፡ PL 4, 525A.
[36] ፍሥሓን ተስፋን GS 22 § 1 ረአ
[37] ቅ.ኣምብሮዝዩስ De Sacr. 5, 4, 19፡ PL 16፡450-451

**2784** እዚ ብናጻ ዚወሃብ ጸጋ-ውሉድነት፣ ብወገንና ቀጻሊ ንስሓን ሓዲስ
1428 ሕይወትን ኪህልወና ዚሓትት እዩ። ናብ ኣቦና እነቕርቦ ጸሎት ክልተ መሠረታዊ
ኣተና ከማዕብል ኣለዎ፡-

*ቅድሚ ኹሉ፣ ነኣኡ ናይ ምምሳል ባህጊ፡-* ብኣርኣያኡን ኣምሳሉን'ኳ
1997 እንተተፈጠርና፡ ናብ'ዚ ምስሉ ክንምለስ ዝኽኣልና ብጸጋ እዩ፣ በዚ ጸጋ'ዚ ከኣ
ክንምልሸሉ ይግባእ።

> ንእግዚኣብሔር "ኣቦና" ኢልና ክንጽውዖ ከሎና፣ ከም መጠን ውሉድ-ኣምላኽ ክንካየድ ከምዚግበኣና ክንዝክርን... ክንፈልጥን የድሊ።[38]

> ጨካንን ኢሰብኣውን ልቢ ሒዝኩም ትካየዱ እንተደኣ ኮይንኩም፣ ነቲ ኣምላኽ-ኵሉ-ጊሩት ከም ኣቦኹም ክትጽውዕዎ ኣይትኽእሉን፤ ከምዚ እንተደኣ ኮይኑ ኣባኹም ናይ'ቲ ሰማያዊ ኣቦኹም፣ ናይ ጊሩቱን ሕያውነቱን ምልክታት የብልኩምን።[39]

> ንጽባቐ'ቲ ሰማያዊ ኣቦ፡ ብዘይምቍራጽ ብሰቂለኒና ከነስተንትን፣ በቲ ጽባቐ'ቲ ከኣ ገዛእ ነፍሳትና ክንሽልም ይግባእ።[40]

**2785** ካልኣይ፡- *ትሑትን ተኣማንን ልቢ፤* እዚ ድማ "ክንምለስን፡ ከም
2562 ሕፃናት ክንከውንን"[41] ዘኽእለና እዩ፤ ከመይሲ እግዚኣብሔር-ኣቦ ነቶም "ንኡሳን
ሕፃናት" እዩ ተገሊጹ።[42]

> ጸሎት ብዚግባእ ተፈጺሙ ዚበሃል፣ እታ ነፍሲ ነኣኡ ምእንቲ ከተፍቅር ብእትቕረጸሉን እትምረሓሉን፣ በቲ ፍሉይ እምነት'ውን ከም መጠን ኣቦኣ ብናይ መንፈስ ቕርበት ነኣኡ ኣብ እትዛረበሉ፣ ብናይ ኣምላኽ ተመስጦኣዊ ኣስተንትኖትን ብናይ ፍቕሩ ሙቐትን እዩ።[43]

> "ኣቦና"፤ እዚ ስም'ዚ ኪጥቀስ ከሎ፣ ኣባና ፍቕሪ ይለዓዓል....ነቲ ክንልምኖ ዘሎና ንምርካብ ምትእምማን የሕድረልና...ድሮ'ኳ ውሉድ ናይ ምኳን ህያብ ዝጸገዎምስ፣ ነቶም ዚልምንዎ ደቁ እንታይስ እንታይከ ኪህቦም ዘይምተረኸበ?[44]

## III. "ናትና" ኣቦ-(ኣቦና)

**2786** "ናትና" ኣቦ ዚብል ብሂል ንእግዚኣብሔር ዚርኢ እዩ። እቲ "ናትና"
443 ዚብል ቅጽል ዋንነት ዘመልክት ዘይኮነስ፣ ፈጺሙ ሓዲሽ ዝኾነ ርክብ ከም
ዝተተኽለ ዘርኢ እዩ።

---

[38] *ቅ.ቀጵርያኖስ* De Dom. orat. 11፡ PL 4:526B
[39] *ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ* De orat Dom. 3፡ PG 51, 44
[40] *ቅ.ጎርጎርዮስ ዘኑሲስ* De orat. Dom. 2፡ PG 44, 1148B
[41] *ማቴ* 18፡3
[42] *ማቴ* 11፡25 *ረአ*
[43] *ቅ.ዮሓንስ ካሲያን* coll. 9, 18፡ PL 49, 788C.
[44] *ቅ.ኣጕስጢኖስ* De serm. Dom. in monte 2, 4, 16፡ PL 34, 1276

**2787** "ኣቦና" ክንብል፣ ቅድሚ ኹሉ እቲ ብነቢያት ዝተነግረ ናይ ፍቕሪ 782
ተስፋታቱ፡ ኣብ'ቲ ናይ ቅቡኡ ክርስቶስ ሓዲሽን ዘለዓለማውን ኪዳን ተፍጻሜቱ ከምዝረኸበ፣ ንሕና ሕዝቡ፣ ንሱ ድማ ኣምላኽና ከምዝኾነ፡ ንእመን ኣሎና ማለት እዩ። እዚ ሓዲሽ ርክብ ድማ ውጹእ ጸጋን፣ ብናጻ ዝተረኸበ ህያብን ኮይኑ፡ ሓደ ናይ'ቲ ሓደ ከምዝኾነ ዚገልጽ እዩ። ነዚ ኣብ ክርስቶስ ዝተዋህበና "ጸጋን ጽድቅን (ሓቅን)" ብፍቕርን ብእሙንነትን ክንምልሽሉ ዘሎና እዩ።[45]

**2788** እዚ ጸሎት-ጐይታ፡ ኣብቲ "መወዳእታ ዘመን" ናይ ሕዝቡ ጸሎት ስለዚኸውን፣ እቲ "ናትና" ዚብል ቃል፡ ነቲ ኣብ ናይ እግዚኣብሔር መጨረሻ ቃል-ተስፋ ዘሎና ርግጽነት ይገልጽ። ኣብ'ታ ሓዳስ ኢየሩሳሌም ነቲ ዝተዓወተ "ኣነ ኣምላኹ ክኸውን'የ፣ ንሱ ወደይ ኪኾነኒ" ኪብሎ እዩ።[46]

**2789** ናብ እግዚኣብሔር "ኣቦና" ክንጽሊ ከሎና ብቐጥታ ነቲ ኣቦ ጐይታና 245
ኢየሱስ ክርስቶስ ኢና ንጽውዕ። ነዚ እንክንገብር ድማ ኣቦ፣"ምንጭን መበቈልን" 253
ስለዝኾነ ንመለኮት ኣይመቓቕልናዮን፤ የግዳ ወልድ ካብ ዘለዓለምነት ካብኡ ከምዝተወልደን፣ መንፈስቅዱስ'ውን ካብኡ ከምዚሠርጽን ኢና እንእመን። ንኣካላት ቅድስት ሥላሴ ኣይንደባልቖምን፣ ምኽንያቱ ኸኣ ሱታፌና ምስ ኣቦናን፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱን፡ ምስ'ቲ ሓደ ቅዱስ መንፈሶምን እዩ። ቅድስት ሥላሴ ኅቡረ-ህላዌን ዘይመቓቕልን እዩ። ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ እንክጽሊ፡ ምስ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ብሓባር ነምልኾን፡ ክብሪ ንህቦን።

**2790** ብመደብ ሰዋስው'ውን እንተኾነ እዚ "ናትና" ዚብል ቃል፡ ካብ ሓደ 787
ንላዕሊ ንዝብዝሑም ሰባት ዘመልክት እዩ። ሓደ ኣምላኽ ጥራሕ ኣሎ። ንሱ ድማ፣ ኣብ'ቲ ኡንኮ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም፣ ካብኡ ብማይን መንፈስ ቅዱስን ብዝተወልዱ[47] ከም ኣቦ ይፍለጥን ይእመንን። ቤተክርስትያን ድማ በቲ ሓዲሽ ናይ ኣምላኽን ሰባትን ሱታፌ ዝቖመት እያ። "ኣብ መንጎ ብዙኃት ኣኅዋት በዅሪ ውሉድ ምስ ዝኾነ" ኡንኮ ወልድ ተወሃሂዳ፣ ምስ ኣቦን መንፈስቅዱስን ኣብ ሱታፌ ተኣቱ።[48] "ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር" ኢሉ ብምጽላይ ከኣ፣ ነፍስወከፍ ዝተጠምቀ ሰብ ኣብ'ዚ ሱታፌ-ኅብረት'ዚ ኮይኑ ይልምን። "እቶም ዝኣመኑ ኵላቶም'ውን ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ነበሩ"[49]።

**2791** በዚ ምኽንያት'ዚ፣ ኣብ መንጎ ክርስትያን ፍልልያት'ኳ እንተሎ፣ እዚ 821
ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ዚቐርብ ጸሎት፣ ናይ ሓባር ውርሻን፣ ንኩሎም ዝተጠምቁ ዝተገብረ መጸዋዕታን ኮይኑ ይነብር። ኣብ ክርስቶስ ብዘለዎም እምነትን፡ ሳላ

[45] ዮሓ 1:17፣ሆሴ 2:21-22፣6:1-6 ረአ
[46] ራእ 21:7
[47] 1 ዮሓ 5:1፣ዮሓ 3:5 ረአ
[48] ሮሜ 8:29፣ኤፌ 4:4-6 ረአ
[49] ግ.ሓ 4:32

ጥምቀትን፡ ሱታፌ ስለዝረኸቡ፣ እቶም ዝተጠምቁ ዘበሉ፣ ኢየሱስ ምእንቲ ሓድነት-ተኸተልቱ ኣብ ዘዕረጎ ጸሎት ኪጽንበሩ ይግበኦም።[50]

**2792** ኣብ መወዳእታ ድማ፣ ነዚ ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት ብቕንዕና-ልቢ እንተጸሊናዮ፣ እቲ እንቕበሎ ፍቕሪ ካብኡ ሓራ ስለዘውፅኣና፡ ንውልቃውነት ንድሕሪት ነሓድጎ። ኣብ ፈለማ'ቲ ጸሎት ዘሎ "ናትና" ዚብል ቃል፡ ልክዕ ኣብ'ተን ኣርባዕተ ልመናታት ከም ዘሎ "ነኣና" ዚብል ቃል፡ ንዝኾነ ይኹን ዘግልል ወይ ዘወግን ኣይኮነን። ብሓቅነት ክነድምጾን ክንብሎን እንተተረኺብና ከኣ፡ ንፍልልያትናን ተቓውሞታትናን ክንሰግሮ ወይ ክንስዕሮ ምኸኣልና።[51]

**2793** እግዚኣብሔር-ኣቦ፡ ምእንትኦም ኪብል ነቲ ፍቁር ወዱ ኣሕሊፉ
604 ዝሃበሎም ሰባት፣ ምስኡ ከየኅበረን ከይጸንበረን፣ ናብ'ቲ "ኣቦና" ጸሎቱ ከብጽሕ ዚኽእል ሓደ'ኳ ዝተጠምቀ ሰብ የልቦን። ፍቕሪ-ኣምላኽ ደረት የብሉን፣ ጸሎትና እውን ከምኡ።[52] ነዚ "ኣቦና" ዚብል ጸሎት ምጽላይ፣ ኣብ ክርስቶስ ንዝተገልጸ ፍቕሩ ብኹሉ መዳያቱ ይኸፍተልና፤ ክርስቶስ "ንደቂ-እግዚኣብሔር ኣብ ሓደ ምእንቲ ኪጥርንፎም"[53] ነቶም ኩሎም ዛጊት ዘይፈለጥዎ፣ ምእንትኣቶምን ምስኣቶምን ኮይንካ ምጽላይ ኣድላዪ እዩ። ኣምላኽ ንኹሎም ሰባት ኮነ ንመላእ ፍጥረት ዘለዎ ኃልዮቱ፣ ንኹሎም ዓበይቲ ሰብ-ጸሎት ወገናት ከነቓቕሖም ጸኒሑ እዩ። "ኣቦና" ንምባል ብዝተባዕናሉ መጠን፣ ጸሎትና ክሳብ'ቲ ምሉእ ትንፋስ-ፍቕሪ ኪበጽሕ ኪኽእል ኣለዎ።

## IV. "ኣብ ሰማያት እትነብር"

**2794** እዚ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ብሂል ንቦታ ዘመልክት ዘይኮነስ፡ ንሃለዋትን
326 መደብ ህልውናን ዚገልጽ፣ ኣምላኽ ርሑቕ እዩ ዘሎ ማለት ዘይኮነስ፣ ልዑልን ግርማ ዚመልኦን ንምባል እዩ። እግዚኣብሔር-ኣቦና፡ "ኣብ ገለ ቦታ" ኣይኮነን። ነቲ ብዛዕባ ቅድስናኡ ክንሓስቦ እንኽእል ዘበለ ጸብለል ዚብል እዩ። ብርግጽ'ውን ንሱ ሥሉስ ቅዱስ ብምኻኑ ናብ'ቶም ሰብ ትሑት ልብን ተነሳሕትን ኣዝዩ ዝቐረበ እዩ።

> "ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና" ኪበሃል እንከሎ፣ እግዚኣብሔር ከም'ቲ ኣብ ቅዱሳ መቕደሱ፡ ኣብ ልቢ-ጻድቃኑ ድማ ከምዘሎ ዘረድእ እዩ። ምስኡ ማዕረ ማዕረ ድማ፡ እቶም ዚጽልዩ፣ እቲ ዚምህለልዎ ዘለዉ ኣብኦም ንኺሓድር ኪምነዩዎ ከምዘለዎም የመልክት።[54]

---

[50] ኅብረት ክርስትያን UR 8፣22 ረአ
[51] ማቴ 5፡23-24፣6፡14-15 ረአ
[52] መዋዕልና NA 5 ረአ
[53] ዮሓ 11፡52
[54] ቅ.ኣጐስጢኖስ De serm. Dom. in monte 2, 5, 18፡ PL 34, 1277.

> *"ሰማይ" እውን እንተኾነ፣ ኑቶም ናይ ሰማያዊ ዓለምን ሃለዋትን ምስሊ ዝጸወሩን፣ ናይ ኣምላኽ መሕደርን ሰፈርን ንዝኾኑን የስምዕ።* [55]

**2795** እዚ ናይ ሰማያት ምሳሌ፡ ናብ'ቲ ናይ ኪዳን ምሥጢር ይመልሰና፤ ናብ 1024
እግዚኣብሔር-ኣቦና ክንጽሊ ከሎና፣ ነዚ ምሥጢር ኪዳን ብተግባር ነስተማቕሮ።
ንሱ ኣብ ሰማይ ኣብ'ቲ ሰፈሩ ኣሎ፤ እቲ ቤት-ኣቦና፡ ቤትናን ዓድናን እዩ።
ኃጢኣት፡ ካብ'ታ ምድሪ-ተስፋ(ኪዳን) ከምንርሕቕ ገበረና፤[56] ብልባዊ ንስሓና'ውን
ናብ ኣቦና፡ ናብ ሰማያት ንክንምለስ ኣኽኢሉና፤[57] ኣብ ክርስቶስ እምበኣር ሰማይን
ምድርን ተዓሪቖም፣[58] ምኽንያቱ ከኣ፡ እቲ "ካብ ሰማይ ዝወረደ" ወልድ ጥራሕ፣
ብመስቀሉን ትንሣኤኡን ዕርገቱን ምስኡ ንሰማይ ከምንድይብ ይገብረና።[59]

**2796** "ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና" ንዚብል ጸሎት፣ቤተክርስትያን ክትደግሞ 1003
እንከላ፣ ንሕና ሕዝቢ-እግዚኣብሔር ምኺንና ድሮ ኣብ ሰማያት ምስ ክርስቶስ
ኢየሱስ ዝተቐመጥና"፣ "ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ዝተሠወርና"[60] ከምዝኾንና
ትእመን ኣላ ማለት እዩ። ምስ'ዚ ድማ "ሰማያዊ ቤትና ክሳብ እንለብስ ብሃንቀውታ
ዓንገረር ንብል ኣሎና"።[61]

> (ክርስትያን) *ሥጋ-ለበስ እዮም፤ ግና ከም ሕጊ-ሥጋ ኣይኮኑን ዚነብሩ። ንሕይወቶም ኣብ'ዛ ምድር'ዚኣ ይነብርዋ፣ ግና ናይ መንግሥተ ሰማይ ዜጋታት እዮም።* [62]

---

## ብሓጺር

**2797** *"ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና" ዚብል ጸሎት ዘብጽሕ ሰብ፡ ምትእምማንን ትሕትናን፡ ሕጉስ ርግጽነትን፡ እቲ ቀንዲ ባሕርያቱ እዩ።*

**2798** *እቲ ዝተሠገወ ወልደ-ኣምላኽ ነኣኡ ስለዝገለጸልና፣ ንእግዚኣብ ሐር "ኣቦ" ኢልና ክንጽውዖ ንኽእል ኢና። ኣብ ወልደ-ኣምላኽ ብጥምቀት ተወሃሂድና፡ ብጸጋ ከኣ ውሉድ ኣምላኽ ኮይንና ኢና።*

**2799** *እዚ ጸሎት-ጐይታና፣ ምስ እግዚኣብሔር ኣቦና፣ ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱን ሱታፌ ከምንምሥርት ይገብረና፤ ምስኡ ድማ ብዛዕባ ርእስና ይገልጸልና።* (ፍሥሓን ተስፋን GS 22§1 ረአ)

---

[55] **ቅ.ቄርሎስ ዘኢየሩሳሌም** Catech. myst. 5:11፡ PG 33 1117.
[56] **ዘፍ** 3 **ረአ**
[57] **ኤር** 3:19-4:1a፣**ሉቃ** 15:18፣21
[58] **ኢሳ** 45:8፣**መዝ** 85:12 **ረአ**
[59] **ዮሓ** 3:13፣12:32፣14:2-3፣16:28፣20:17፣**ኤፌ** 4:9-10፣**ዕብ** 1:3፣2:13
[60] **ኤፌ** 2:6፣**ቆላ** 3:3
[61] 2 **ቆሮ** 5:2፣**ፊልጵ** 3:20፣**ዕብ** 13:14 **ረአ**
[62] Ad Diognetum 5፡ PG 2, 1173

**2800** ናብ እግዚኣብሔር ኣቦና ምጽላይ፡ ነኣኡ እንመስለሉ ድላይ ኣብ ርእስና ከማዕብል፣ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጥና ትሑትን እሙንን ዝኾነ ልቢ ከሰናዱ ይግባእ።

**2801** "ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና" ንዚብል ጸሎት እንክንደግም፣ እቲ ብኽርስቶስ ዝተፈጸመ ሓዲስ ኪዳን፣ ምስ ቅድስት ሥላሴ ዘሎና ሱታፌ፣ ከምኡ'ውን ብቤተክርስትያን ኣቢሉ ንመላእ ዓለም ዘጠቓልል መለኮታዊ ፍቕሪ ኪምዕብል ንልምን።

**2802** "ኣብ ሰማያት እትነብር" ዚብል ብሂል ንናይ እግዚኣብሔር ክብርን ሞገስን ዚገልጽ፣ ከምኡ'ውን ንሱ ኣብ ልቢ-ጻድቃኑ ምህላዉ እምበር ስፍራ ዘመልክት ኣይኮነን።መንግሥተ ሰማያት ቤት-ኣቦና፣ ኡነተይና ዓድና እዩ፤ ናብኡ ገጽና ንስጉም፣ ድሮ እውን ናቱ ኢና።

# *ኣንቀጽ* 3
# *ሾብዓተ ልመናታት*

**2803** ንእግዚኣብሔር ከነምልኾን፡ ከነፍቅሮን ክንባርኾን (ክንውድሶን) ኣብ ቅድሚኡ ድሕሪ ተረኺብና፣ እቲ ዝተቐበልናዮ መንፈስ-ውሉድነት ነተን ሾብዓተ ልመናታትን ሾብዓተ ቡራኬታትን ኣብ ልብና የነቓቕሕ። ካብ'ዘን ሾብዓተ ዝያዳ መንፈሳዊ (ሥነ መለኮታዊ) ብምዃን ናብ ክብረ-እግዚኣብሔር ኣቦ ዚስሕባና እተን ሠለስተ ቀዳሞት ኣለዋ። እተን መወዳእታ ኣርባዕተ ድማ፡ ናብኡ ዚወስዳ መንገድታት ከም ምዃነን መጠን፣ ነቲ ውርደትና ናብ ጸጋኡ ዘማሕጽና እየን። "መዓሙቕ ንመዓሙቕ ትጽውዓ" ("ቀላይ ለቀላይ ትጼውዓ")[63]።
2627

**2804** እቲ ስምካ፣ መንግሥትኻ፣ ፍቓድካ - ዚብል መጀመርያ መሥርዕ ልመናታት፡ ምእንትኡ ኪብል ናብኡ ዘብጽሓና እዩ። ቅድሚ ኹሉ ብዛዕባ'ቲ እትፈትዎ ነገር ምሕሳብ፣ ናይ ፍቕሪ መሠረታዊ ባሕሪኡ እዩ። ኣብ'ዘን ሠለስተ ልመናታት ንርእስና ዚርኢ ገለ'ኳ እንሓቶ ነገር የልቦን። እቲ ፍቑር ወልድ ንኽብረ-ኣቦኡ ዘለዎ ዚቃጸል ሃረርታ፡ ሥቓይ'ውን ከይተረፈ ኣባና ዚሰፍነሉ ኵነታት እዩ፤[64] "ስምካ ይቀደስ፣ መንግሥትኻ ትምጻእ፣ ፍቓድካ....ይኹን"። እዘን ሠለስተ ልመናታት'ዚኣተን ድሮ ኣብ'ቲ ድኅነታዊ መሥዋዕተ-ክርስቶስ ምላሽ ረኺበን እየን፤ ካብ ሕጂ ንደሓር ግን ብተስፋ ናብ'ቲ ናይ መወዳእታ

---

[63] *መዝ* 42፡7
[64] *ሉቃ* 22፡14፣12፡50 *ረአ*

ተፍጻሜት ከተኾራ እየን፣ ከመይሲ ኣምላኽ ጋና ኩሉን ኣብ ኩሉን ኣይኮነን ዘሎ።[65]

**2805** *እቲ ካልኣይ መሥርዕ ልመናታት ድማ፡ ምስ ገሊኡ ናይ ኣኰቴተ-ቍርባን ጸሎተ-ምህለላ ወይ ጽዋዔ-መንፈስቅዱስ* = Epiclesis) *ብዚመሳሰል ምንቅስቓስ ዚግለጽ እዩ። ናይ ትጽቢታትናን ሃረርታናን ወፈያ እዩ። ናይ'ቲ ኣቦ-ምሕረት ቈላሕታ ድማ ይስሕብ። ካባና ንላዕሊ ገጹ የዓርግ፣ ግና ከኣ ኣብ'ዚ ሃለዋት'ዚ ካብ'ዛ ሰዓት'ዚኣ ኣትሒዙ ነኣና ዚግድስ እዩ፤- "ሃበና ...ይቕረ በለልና... ኣድኅነና... ኣይተእትወና ..."፤ ራብዓይን ሓምሻይን ልመና ነቲ ክዉን ናብራና ዚርኢ እዩ፤ ክንምገብን ካብ ኃጢኣት ክንፍወስን ንልምን። እቲ መወዳእታ ክልተ ድማ ብሕይወትና ንኽንፅወት ንእንገብሮ ገድሊ፣ ማለት ነቲ ናይ ጸሎት ገድሊ ዚርኢ እዩ።* 1105

**2806** *በተን ቀዳሞት ሠለስተ ልመናታት ብእምነት ንብርትዕ፣ ብተስፋ ንምላእ፣ ብፍቕሪ ድማ ንቃጸል። ፍጡራን ግና ኸኣ ኃጢኣተይናታት ብምዃንና፣ "ምእንቲ ርእስና"(ንሕና) ክንልምን ይግበኣና፤ እዚ "ንሕና" ዝተባህለ ድማ ምስ ታሪኽን ዓለምን ዚራኽብን ናብ'ቲ ደረት-ኣልቦ ፍቕሪ-ኣምላኽና እነወፍዮን እዩ። ምኽንያቱ ኸኣ እግዚኣብሔር-ኣቦና ነኣናን ንመላእ ዓለምን ዚርኢ መደብ ድኅነቱ ናብ ፍጻሜ ዘብጽሖ ብስም ክርስቶስን ብናይ'ቲ ቅዱስ መንፈሱ ግዝኣትን እዩ።* 2656-2658

## I. "ስምካ ይቀደስ" 2142-2159

**2807** *እዚ"ምቕዳስ" ዚብል ቃል በቲ ጥረ ትርጕሙ ኪውሰድ ከምዘይግባእ ምግንዛብ የድሊ። ምኽንያቱ(ዚቕድስ፣ ቅዱስ ዚገብር ኣምላኽ ጥራሕ እዩ)፣ ናይ'ቲ ቃል ኣጠቓቕማኡ፣ ሓደ ነገር ከም ቅዱስ ንኽትፈልጦ ንኽትቕበሎ፣ ብዝተቐደሰ መንገዲ ንምክያድ ከም መምዘኒ ዚውሰድ እዩ። ስለ'ዚ ብወገን ኣምልኾት እዚ ልመና'ዚ ሓድሓደ ግዜ ከም ምስጋና፣ ካልእ ግዜ ከም ውዳሴ ኮይኑ ይረአ።[66] እንተኾነ፡ እዚ ልመና'ዚ ሃረርታና ብቓላት ንምግላጽ ካብ ኢየሱስ ዝተመሃርናዮ እንኪኸውን ኣምላኽን ሰብን ዘሳትፍ፣ ባህግን ትጽቢትን ዝሓቘፈ ልመና እዩ። በዚ ነቦና እነቕርቦ ፈለማ ልመና ጀሚርና ኣብ'ቲ ውሽጣዊ ምሥጢር መለኮቱ ኮነ፡ ናይ ሰብኣውነትና ታሪኽ-ድኅነት ክንጥሕል ንርከብ። ስሙ ምእንቲ ኪቕደስ፡ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ምምሕጻንና ናብ'ቲ ኣብ መወዳእታ ዓለም(ዘመን) ዚኸውን፣ ፍቕሪ ዝዓዘዞ ኂሩቱ"ኣብ ክርስቶስ ኪፍጽሞ ዝፈተወ" "ኣብ ቅድሚኡ ቅዱሳንን መንቅብ ዘይብልናን ምእንቲ ክንከውን" ናብኡ ይስሕበና።[67]* 2097

---

[65] 1 *ቆሮ* 15፡28 *ረአ*
[66] *መዝ* 111፡9፣*ሉቃ* 1፡49 *ረአ*
[67] *ኤፌ* 1፡9፣4

**2808** ኣብ'ቲ ወሳኒ እዋናት ሥነምጋቤኡ ኣምላኽ ስሙ ገለጸ፤ እንተኾነ ነዚ ዚገብር ነቲ ስራሓቱ ኣብ ፍጻሜ ብምብጻሕ እዩ። እዚ ስራሕ'ዚ ግን፡ ምእንታናን በኣናን ግሁድ ዚኸውን፣ ስሙ ኣባናን በኣናን እንኪቕደስ ጥራሕ እዩ።

**2809** ቅድስና-ኣምላኽ ናይ'ቲ ዘለዓለማዊ ምሥጢሩ ዘይብጻሕ ማእከላይ ነጥቢ
203:432 እዩ። እዚ ኣብ ፍጥረትን ታሪኽን ዝተገልጸ ቅድስናኡ ድማ፣ ቅዱስ መጽሓፍ
293:705 "ክብሪ" ማለት ናይ ግርማኡ ነጸብራቕ ኪብል ይሰምዮ።[68] ንሰብ ብምስሉን
ኣርኣያኡን ኪገብሮ ከሎ፣ ኣምላኽ "ብግርማን ብክብርን ከለሎ" እንተኾነ
ኃጢኣት ብምፍጻም ወድሰብ "ካብ ክብሪ-ኣምላኽ" ረሓቐ።[69] ካብ'ቲ ግዜ'ቲ
ኣትሒዙ ንሰብ ናብ'ቲ ምስሊ ፈጣሪኡ ንኺመልስ፡ ኣምላኽ ስሙ ብምሃብን
ብምግሃድን፡ ቅድስናኡ ኪገልጽ ተረኽበ።[70]

**2810** እግዚኣብሔር ንኣብርሃም ኣብ ዝሃቦ ተስፋን፣ ድሕሪኡ ብዝፈጸመሉ
63 ማሕላን[71] ምስኡ ርክብ ተኸለ፣ እዚ ኹሉ እንኪገብር ግና ስሙ ኣይገለጸን።
እግዚኣብሔር ስሙ ምግሃድ ዝጀመረ ንሙሴ እንኪኸውን፣ ካብ ናይ ግብጻውያን
ባርነት ብዘድሓኖም ግዜ'ውን "ብክብሩ ልዕል ልዕል ኢሉ እዩ'ሞ"[72] ኣብ ቅድሚ'ቲ
መላእ ሕዝቢ ከምዚፍለጥ ገበሮ። ኣብ እምባ ሲና ድሕሪ ዝተፈጸመ ኪዳን፣ እቲ
ሕዝቢ "ናቱ ኮነ"፣ ስለ'ዚ ከኣ "ቅዱስ" ወይ'ውን "ዘተቐደሰ" ሕዝቢ ኪኸውን
ኣለዎ፤ (ብዕብራይስጥ ንኽልቲኡ የስምዕ)።[73] ምኽንያቱ ድማ ስም-እግዚኣብሔር
ኣብ ማእከል'ዚ ሕዝቢ እዩ ዚነብር።

**2811** "ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ቅዱስ እየ'ሞ ቅዱሳን ኩኑ"፤ ዚብል
2143 ዝተቐደሰ ሕጊ(ትእዛዝ) ብተደጋጋሚ በቲ ቅዱስ ኣምላኽም'ኳ እንተተዋህቦም፡
እግዚኣብሔር ጐይታ'ውን ስለስሙ ኢሉ ትዕግሥቲ እንተ'ርኣየ፣ እቲ ሕዝቢ
ካብ'ቲ ቅዱስ እስራኤል ገጹ ብምግልባጥ፣ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ነቲ ስሙ
ኣራኺስዎ እዩ"።[74] በዚ ምኽንያት'ዚ እቶም ናይ ዘመነ ብሉይ ኪዳን ጻድቃን
ራትዓን ካብ ስደት ዝተመልሱ መሳኺንን(ድኻታትን) ነቢያትን ብፍቕሪ-ስሙ
ዝተቓጸሉ ነበሩ።

**2812** ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ'ቲ ቅዱስ እግዚኣብሔር ስሙ፣ ብሥጋ፣ በቲ
434 ቤዛውነቱ፣ በቲ ዝተገልጸ ኰነቱ፣ ብቓሉን ብመሥዋዕቱን፡ ይገሃደልናን[75]
ይወሃበናን። "ኦ ቅዱስ ኣቦ!...ንሳቶም በሓቂ ምእንቲ ኪቕደሱስ ንርእሰይ
ምእንታኦም እቕድስ ኣሎኹ።[76] ነቲ ገዛእ ስሙ "ስለዚቕድስ" ኢየሱስ ንስም

[68] መዝ 8፣ኢሳ 6፡3 ረአ
[69] መዝ 8፡5፣ሮሜ 3፡23፣ ዘፍ 1፡26 ረአ
[70] ቆላ 3፡10
[71] ዕብ 6፡13 ረአ
[72] ዘፀ 15፡1 3፡14 ረአ
[73] ዘፀ 19፡5-6 ረአ
[74] ሕዝ 20፡9፣14፣22፣39፣ ዘሌ 19፡2 ረአ
[75] ማቴ 1፡21፣ሉቃ 1፡31፣ዮሓ 8፡28፣ 17፡8፣17፡17-19 ረአ
[76] ዮሓ 17፡11፣19

እግዚኣብሔር-ኣቦ ይገልጸልና።[77] ኣብ ምዝዛም ፋሲካ (ትንሣኤ-ክርስቶስ) ኣቦኡ፡ ልዕሊ ኹሉ ስማት ዝኾነ ስም ይህቦ። “ንኽብሪ እግዚኣብሔር-ኣቦ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ እዩ”።[78]

**2813** ብማይ-ጥምቀት “ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን፣ብመንፈስ ኣምላኽናን ተሓጺብና፡ ተቐዲስና፡ ጸዲቕና ኢና”[79]። እግዚኣብሔር-ኣቦና ብመላእ ሕይወትና ክንቅደስ ይጽውዓና፤ “ካብኡ (ካብ ኣምላኽ) ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ስለዝኾነ ህላዌና፣ ንሱ (ኢየሱስ) እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተዋህበና ጥበብን.... ጽድቅን ኮነልና”[80]። ክብሩ ኮነ ሕይወትና፡ ክልቲኡ፡ ኣብ’ቲ ኣባናን በኣናን ዚፍጸም ምቕዳስ-ስሙ ዝተመሥረተ እዩ። ናይ’ቲ ቀዳማይ ልመና ኣድላይነት ድማ እዚ እዩ። 2013

> ንሱ ባዕሉ ዚቕድስ ክነሱ፣ ብመን ደኣ’ዩ እግዚኣብሔር ኪቕደስ ዘለዎ? እንተኾነ ግን “ኣነ እግዚኣብሔር ቅዱስ እየ’ሞ ንስኻትኩም’ውን ነኣይ ዝተቐደስኩም ኩኑ” ስለዝበለ (ሌዋ.20፡26) ነቲ ብምሥጢረ ጥምቀት ዝጀመርናዮ ዝተቐደስና ምኳን፣ ብጽንዓት ንኽንቕጽሎ ንጽዕርን ንልምንን። ቅድስና በብዕለቱ ዘድልየና ስለዝኾነ ነዚ በብዕለቱ ንልምን። እቶም በብዕለቱ እንወድቕ፣ ቀጺልና ብምቕዳስ ካብ ኃጢኣትና ምእንቲ ክንነጽሕ... እዚ ቅድስና’ዚ ኣባና ምእንቲ ኪነብር ንጽሊ።[81]

**2814** ኣብ መንጎ ኣሕዛብ ዚፍጸም ናይ ስሙ ምቕዳስ ኣብ’ቲ ዘይነጻጸል መደብ ሕይወትናን ጸሎትናን ዝተመሥረተ እዩ። 2045

> ብቕድስናኡ ንኹሉ ፍጥረት ንዘድሕንን ዚቕድስን ስሙ፣ ባዕሉ እግዚኣብሔር ምእንቲ ኪቕድሶ ንልምኖ። ነቲ ዝጠፍአ ዓለም ምሕረቱ ዚእውጅ፡ እዚ ስም እዚ እዩ። እንተኾነ፡ ስም-እግዚኣብሔር ኣምላኽ፡ ብተግባራትና ንኺቕደስ ንልምን። ምኽንያቱ፡ ንሕና፡ (ጽቡቕ) ቅኑዕ ሕይወት ክንሕዝ ከሎና ስም እግዚኣብሔር ይባረኽ(ይምስገን)፣ ኣብ ክፍኣት ክንነብር ከሎና ግን ስሙ ይጽረፍ። ሓዋርያ ከም ዚብሎ፡ “ብሰርኹም ስም እግዚኣብሔር ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ይጽረፍ ኣሎ”። ምእንትʼዚ ስም-ኣምላኽና ቅዱስ ከምዝኾነ፣ ንሕና’ውን ቅድስና-ነፍስና ንኽንረክብ ንልምን።[82]
>
> “ስምካ ይቀደስ” ክንብል ከሎና፣ ኣባና ኣብ’ቶም ኣብኡ ዘሎና ንኺቕደስ ንልምን ኣሎና ማለት እዩ። ከምኡ’ውን ነቶም ጋና ጸጋ-ኣምላኽ ዚጽበዩም ዘለዉ ሰባት ንልምነሎም። እዚ ከኣ፡ ንዅሎም፡ ንጸላእትና’ውን ከይተረፈ ክንጽሊ ዚሓተና ትእዛዝ ንምፍጻም እንገብሮ እዩ። ምእንትʼዚ እዩ ከኣ

---

[77] ሕዝ 20፡39፣36፡20-21፣ ዮሓ 17፡6 ረአ
[78] ፊልጵ 2፡9-11
[79] 2 ቆሮ 6፡11
[80] 1 ቆሮ 1፡30፣1 ተስ 4፡7 ረአ
[81] ቅ.ቆጵርያኖስ De Dom. orat. 12፡ PL 4, 527A፣ ዘሌ 20፡26
[82] ቅ.ጴጥሮስ ንባበወርቅ Sermo 71, 4፡ PL 52፡402A፣ ሮሜ 2፡24፣ሕዝ 36፡20-22 ረአ

> “ስምካ ኣባና ይቀደስ” ዘይንብል፤ ኣብ ኩሉ ሰብ ከምኡ ኪኸውን ስለ እንልምን እዩ።[83]

**2815** እዚ ልመና'ዚ ንኻልእ ኩሉ ልመናታት ዚሓቍፍ እዩ። ልክዕ ከምቲ
2750 ስዒቡ ዚመጽእ ሽዱሽተ ልመናታት፡ በቲ ጸሎት-ክርስቶስ ተፍጻሜት ይረክብ።
ብስም ኢየሱስ እንተደኣ ተጸልዩ፣ ንእግዚኣብሔር-ኣቦና እነዕርጎ ጸሎት፡ ጸሎትና
እዩ።[84] ኣብ'ቲ ክህነታዊ ጸሎቱ ኢየሱስ - “ኦ! ቅዱስ ኣቦ! ነቶም ዝሃብካኒ….
ብስምካ ሓልዎም”[85] ኪብል ይልምን።

## II. “መንግሥትኻ ትምጻእ”

**2816** ኣብ ሓዲስኪዳን “ባዚለያ” ዚብል ቃል(ግሪኽ) “ንግሥነት” “መንግሥቲ”
541 ወይ ከኣ “ግዝኣት” (ግዝኣተ-መንግሥት) ኢልካ ኪትርጐም ይከኣል። መንግሥቲ
2632 እግዚኣብሔር ንቕድሚና እያ ዘላ። ናባና ክትቀርብ ዝኸኣለት በቲ ዝተሠገወ
560 ቃል እያ፤ ኣብ መላእ ወንጌል ተሰብከት፣ ብናይ ክርስቶስ ሞትን ትንሣኤን ከኣ
1107 ኣባና መጽአት። መንግሥቲ እግዚኣብሔር፡ ካብ'ታ መወዳእታ ድራር-ጐይታና
ኣትሒዛ ዝመጽአት እንክትከውን፣ ብመሥዋዕተ ቅዳሴ ድማ ኣብ ማእከልና
ትርከብ። ክርስቶስ ብወግዒ ነቦኡ ክረክባ ከሎ፡ ሽዑ መንግሥቲ እግዚኣብሔር
ብኽብርን ብግርማን ክትመጽእ እያ፦

> *እኳ ደኣ…..መንግሥቲ-እግዚኣብሔር ማለት፡ እቲ በብዕለቱ ኪመጽእ እንምነዮን፣ ኣመጻጽኣኡ'ውን ብቕልጡፍ ኪግለጸልና እንብህጎ ክርስቶስ ኪኸውን ይኽእል። ንሱ ትንሣኤና እዩ፣ በኣኡ ከኣ ስለ እንነግሥ ንሱ ንርእሱ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ኮይኑ ኪግመት ይከኣል።*[86]

**2817** እቲ “ኦ! ጐይታ ነዓ!”(ማራና ታ) ዚብል ልመና “ነዓ ኦ! ጐይታ ኢየሱስ”
451 እናበሉ ናይ ዚጭርሑ፡ ናይ'ቲ መንፈስን ናይ'ታ መርዓትን ጻውዒት እዩ።
671
2632

> *ንምጽኣት መንግሥቱ ክንጽሊ ዝተኣዘዝ'ኳ እንተዘይኮነ፣ ተስፋና ክንጭብጥ ባህጊ ስለ ዘሎና፣ ነዚ መጸዋዕታ'ዚ ብምሉእ ድሌት መስማዕናዮ። ነፍሳተ ሰማዕታት ኣብ እግር'ቲ ምሥዋዕ ኮይነን፡ “ኦ ቅዱስን ሓቀይናን ኣምላኽ ክሳብ መዓስ ኢኻ ዘይትፈርድ? ነቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉኸ ክሳብ መዓስ ኢኻ፡ ሕነ ደምና ዘይትፈድዮም?” እናበሉ በዓቢይ ድምጺ ይጭርሑ፤ “ፍርዶም ዚወሃቦም'ኳ ኣብ መወዳእታ ዓለም እዩ። ስለ'ዚ ኦ! ጐይታይ ብዚከኣል መጠን እዛ መንግሥትኻስ ቀልጢፋ ደኣ ትምጻእ”*[87]

---

[83] **ተርቱሊያን** De orat. 3፡ PL 1፡1157A
[84] **ዮሓ** 14፡13፣15፡16፣16፡24፣26 *ረአ*
[85] **ዮሓ** 17፡11
[86] **ቅ.ቆጵርያኖስ** De Dom. orat. 13፡ PL 4, 528A
[87] **ተርቱሊያን** De orat. 5፡ PL 1, 1159A፣*ዕብ* 4፡11፣*ራእ* 6፡9፣22፡20 *ረአ*

**2818** ኣብ ጸሎት-ጐይታ “መንግሥትኻ ትምጻእ” ዚብል ሓሳብ፣ ብዝበለጸ 769
ዘመልክቶ ብዳግማይ ምጽኣት-ክርስቶስ ንዚኸውን መንግሥቲ-እግዚኣብሔር
እዩ።[88] እዚ ሓሳብ'ዚ ግን ቤተክርስትያን ኣብ'ዚ ዓለም'ዚ ንዘለዋ ተልእኾ
ንምፍጻም ዘጸግም ኣይኮነን። እኳ ደኣ ብትግሃት ንኽተሰላስሎ ዚደፋፍእ እዩ።
ካብ ዕለተ ጰንጠቈስጤ ኣትሒዙ ናይ'ታ መንግሥት'ቲኣ ምምጻእ፡ “ኣብ ዓለም
ስራሑ ናይ ዚፍጽምን፣ ንኣና'ውን ምልኣት-ጸጋ ዘውህብን” ናይ መንፈስ ጐይታ
ተግባር እዩ።[89]

**2819** “መንግሥቲ እግዚኣብሔር፡ ብመንፈስ ቅዱስ ዚርከብ ጽድቅን-ሰላምን- 2046
ደስታን እዩ።”[90] እዚ ንነብረሉ ዘሎና መወዳእታ ዘመን ድማ መንፈስ ቅዱስ 2516
ዝፈሰሰሉ ዘመን እዩ። ካብ ዕለተ ጰንጠቈስጤ ጀሚሩ፣ ኣብ መንጎ “ሥጋ”ን 2519
መንፈስን ወሳኒ ዝኾነ ውግእ እዩ ዚካየድ ዘሎ።[91]

> “መንግሥትኻ ትምጻእ” ብምባል ብድፍረት ክትዛረብ እትኽእል እታ ንጽሕቲ ነፍሲ ጥራሕ እያ። ምእንት'ዚ “ኣብ'ዚ መዋቲ ሥጋኹም ንኃጢኣት ኣይተንግሡዋ” ብምባል ቅዱስ ጳውሎስ ዘመሓላልፎ ትምህርቲ ዝሰምዐ ሰብ፣ ብተግባርን-ሓሳብን-ብቓልን ርእሱ ዘንጸሐ፣ “መንግሥትኻ ትምጻእ” ብምባል ንእግዚኣብሔር ኪልምን ይኽእል።[92]

**2820** ክርስትያን ብወገኖም፡ መንፈስ ቅዱስ ብዚልግሰሎም ፍልጠት 1049
ተደጊፎም ኣብ ምስፋሕ መንግሥቲ እግዚኣብሔርን፣ ኣብ ምዕባለ'ቲ ዚነጥፉሉ
ኀብረተሰብን ሕንጸተሰብን ዘሎ ፍልልይ ከስተውዕሉ ይግብኦም። እዚ ፍልየት'ዚ
ግን ግጭት ወይ ምንጽጻል ማለት ኣይኮነን። ናብ ሕይወት-ዘለዓለም ንምእታው
ንሰብ ዝቐረበሉ መጸዋዕታን፣ ንመደብ ፍትሕን ሰላምን ንኸገልግል፣ ካብ ፈጣሪ
ንዝተዋህቦ ኃይልን ብልኃትን፣ ኣብ'ዚ ዓለም'ዚ ብግብሪ ኪትርጕሞ፣ ምስ ዘለዎ
ኃላፍነት ዚጋጮ ዘይኮነስ፣ እኳ ደኣ ዘደልድሎ እዩ።[93]

**2821** እዚ ልመና'ዚ ዚቐርብን፣ ተቐባልነት ዚረክብን፡ ኣብ'ቲ መሥዋዕተ 2746
ቅዳሴ ህልው ኣብ ዝኾነን፣ ውጽኢት ኣብ ዚህብን ጸሎት-ኢየሱስ እዩ። ፍሬኡ
ዚህብ'ውን ነቲ ኣንቀጸ ብፁዓን ኣብ'ዛ ሓዳስ ሕይወት እንተሓለወን እንተ'ኽበረን
እዩ።[94]

---

[88] ቲቶ 2፡13 ረአ
[89] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ Eucharistic Prayer IV, 118.
[90] ሮሜ 14፡17
[91] ገላ 5፡16-25 ረአ
[92] ቅ.ቄርሎስ ዘኢየሩሳሌም Catech. myst. 5, 13፡ PG 33, 1120A፣ሮሜ 6፡12 ረአ
[93] ፍሥሓን ተስፋን GS 22፣32፣39፣45፣EN 31 ረአ
[94] ዮሓ 17፡17-20፣ማቴ 5፡13-16፣6፡24፣7፡12-13 ረአ

## III. ፍቓድካ ኣብ ሰማይ ከምዝኾነ ከምኡ ኣብ ምድሪ ይኹን

**2822** እግዚኣብሔር-ኣቦና "ኩሉ ሰብ ኪድኅንን፣ ናብ ፍልጠት-ሓቂ ኪመጽእን
851 እዩ ዚፈቱ"[95]። ንሱ "ሓደ'ኳ ኪጠፍእ ዘይፈቱ ስለዝኾነ፡ ምእንታኻትኩም ይዕገሥ
2196 ኣሎ"[96]። ትእዛዙ'ውን እንተኾነ "ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፣ እወ ከምቲ ኣነ
ዘፍቀርኩኹም ገቢርኩም ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ"[97] ዚብል እዩ። እዚ ትእዛዝ'ዚ
ናይ ኩሉ ካልእ ጽማቕን፣ ናይ መላእ ድላዩ መግለጽን እዩ።

**2823** "ጽቡቕ ፍቓዱ ኮይኑ ከኣ፡ ብኽርስቶስ ገቢሩ ኣቐዲሙ ዝመደቦ ናይ
59 ፍቓዱ ምሥጢር ኣፍለጠና። እዚ ከኣ እቲ ግዜ ምስ ኣኸለ፣ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ
ምድሪ ዘሎ ኹሉ፣ ኣብ ትሕቲ ሥልጣን-ክርስቶስ ምእንቲ ኪጥቐለል እዩ። እቶም
ኣቐዲምና ብኽርስቶስ ተስፋ ዝገበርና፡ ንውዳሴ ክብሩ ምእንቲ ኽንከውን፡ እቲ
ብፍቓዱ ንኹሉ ነገር ከም መደቡ ዚገብር ኣምላኽ ወረስቲ ክንከውን ብወዱ
ሓረየና።"[98] እዚ መደብ-ፍቕሪ ኣብ ሰማይ ከምዝኾኖ፣ ኣብ ምድሪ'ውን ምሉእ
ብምሉእ ሓቂ ክዉን ኪኸውን ንልምን።

**2824** ፍቓድ እግዚኣብሔር-ኣቦ ሓንሳብ ንወትሩ፡ ፍጻሜ ዝረኸበ ብኽርስቶስን
475 በቲ ሰብኣዊ ፍቓዱን እዩ። ኢየሱስ ናብ'ዚ ዓለም'ዚ ኪመጽእ ከሎ፡ "ኦ!
612 ኣምላኸይ፡.... እነሆ ፍቓድካ ክፍጽም መጺኤ ኣሎኹ"[99] በለ። "ወትሩ እቲ ዘሓጕስ
ነገር እገብር"[100] ኪብል ዚኽእል ኢየሱስ ጥራሕ እዩ። ብግዜ ሥቓያቱ ኪጽሊ
እንከሎ፡ ነዚ ፍቓድ'ዚ ምሉእ ብምሉእ ተቐቢሉዎ እዩ። "ፍቓድካ ደኣ'ምበር
ፍቓደይ'ሲ ኣይኹን"[101] ኪብል'ውን ይርከብ። በዚ ምኽንያት እዚ ኢየሱስ "ካብ'ዛ
ሕጂ ዘላ ክፍእቲ ዓለም ምእንቲ ከድሕነና፣ ከም ፍቓድ ኣምላኽናን ኣቦናን፡
ስለኃጢኣትና ገዛእ ርእሱ ኣኅሊፉ ሃበ"።[102] "ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቓድ-ኣምላኽ
ኪፍጽም ንሰብነቱ ሓንሳብ ንወትሩ ስለዝሠወዐ፡ ተቐዲስና ኢና"።[103]

**2825** "ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ክንሱ፣ በቲ ዝተቐበሎ ሥቓይ እዙዝ ምዃን
615 ካብ ተማህረ"፣[104] በኣኡ ውሉድነት ዝረኸብና ንሕና ኃጢኣተይናታት ፍጡራን
ግዳ ተኣዘዝቲ ምዃን ንኽንመሃር፡ ክንደይ ዘይመድለየና! ፍቓድ እግዚኣብሔር
ኣቦናን፣ ንሕይወት-ዓለም ዘለዎ መደብ-ድኅነትን ንኺፍጸም፣ ፍቓድና ምስ'ቲ
ፍቓድ-ወዱ ምእንቲ ከወሃህደልና ንልምኖ። ንሕና ነዚ ዚኸውን ዓቕምን ክእለትን

---

[95] 1 ጢሞ 2:3-4
[96] 2 ጴጥ 3:9፣ማቴ 18:14 ረአ
[97] ዮሓ 13:34፣1 ዮሓ 3፣4፣ሉቃ 10:25-37 ረአ
[98] ኤፌ 1:9-11
[99] ዕብ 10:7፣መዝ 40:7
[100] ዮሓ 8:29
[101] ሉቃ 22:42፣ዮሓ 4:34፣ 5:30፣6:38 ረአ
[102] ገላ 1:4
[103] ዕብ 10:10
[104] ዕብ 5:8

የብልናን። ግና ምስ ክርስቶስን ምስ'ቲ ኃይሊ ቅዱስ መንፈሱን ርእስና እንተ' ወሃሂድና፣ ንፍቓድና ኣብ ትሕቲ ኣቦ ከነግዝኦ፣ ከምኡ'ውን እቲ ወዱ ዚሓርዮ ነገር ንምሕራይ፣ነቦ ደስ ዘብል ነገር ንምፍጻም ክንውስን ንኽእል። [105]

> ርእስና (ንክርስቶስ) ከነወፈ ከሎና፣ ምስኡ ሓደ መንፈስ ክንከውን ንኽእል፤ ምእንት'ዚ ከኣ፡ ከም'ቲ ኣብ ሰማይ ፍጹም ዝኾነ፡ ኣብ ምድሪ'ውን ምእንቲ ኪኸውን፡ ፍቓዱ ምፍጻም ንኽእል።[106]

> ትሕታት ንኽንከውን ኢየሱስ ክርስቶስ ብኸመይ ከምዚምህረና ኣስተውዕሉ። ጽቡቕ ተግባራትና ፍረ ዚህብ ብጻዕርና ብሕቱ ዘይኮነስ፣ ካብ እግዚኣብሔር ብዚወሃበና ጸጋ ምዃኑ ከምንርዳእ ብምግባር እዩ። ነፍስወከፍ ምእመን ምእንቲ መላእ ዓለም ብሓፈሻ ንኺጽሊ ኣምላኽ ይእዝዞ። ንሱ "ፍቓድካ ኣባይ ወይ ኣባና ይኹን" ኣይበለን። "ኣብ ምድሪ ይኹን" ደኣ በለ። ከምዚ ዘበሎ ምኽንያት ከኣ፡ ስሕተት ካብ ገጽ ምድሪ ፈጺሙ ኪጠፍእ፣ ሓቂ ኣብ ምድሪ ደልዲላ ሡር ክትሰድድ፣ ክፍኣት ካብ ምድሪ ኪውገድ፣ ሠናይ ተግባር ኣብኣ ኪዕንብብ፣ ምድሪ'ውን ካብ ሰማይ ብዝኾነ ዓይነት ፍልይቲ ንኸይትኸውን እዩ።[107]

**2826** "ፍቓድ-ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ" ብጸሎት ፈሊና መሚና ምፍላጥን፣ ነኣኡ እንፍጽመሉ ጽንዓትን ክንረክብ ንኽእል።[108] ኢየሱስ ድማ ናብ መንግሥተ ሰማያት ዝኣተወ፣ ቃላት ብምዝራብ ዘይኮነስ፡ "ናይ'ቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኡ ፍቓድ ብምፍጻም" ምዃኑ ይምህረና።[109]

**2827** "ንእግዚኣብሔር ዚፈርሕ፣ ፍቓዱ ዚፍጽም እንተ'ሎ፣ ነኣኡ እግዚኣ 2611
ብሔር ኪሰምዖ እዩ።"[110] ልዕሊ ኩሉ ድማ እቲ ብመሥዋዕቲ ቅዳሴ ዚግለጽ፣ ቤተክርስትያን ብስም ጐይታኣ ናይ እተቐርቦ ጸሎት ኃይሉ ነዚ ይመስል። ጸሎት ቤተክርስትያን ከኣ፣ ብቕድስና ፍጽምቲ ምስ ዝኾነት ኣደ ኣምላኽን፣[111] ፍቓዱ ንምፍጻም ጥራሕ ብምድላዮም፣ ንጐይታ ደስ ናይ ዘብልዎ ቅዱሳንን፣ ምስ ጸሎቶም ኃቢሩ ዚቐርብ ሱታፌ ኣማላድነት ኣለዎ።

> "ፍቓድካ ኣብ ሰማይ ከምዝኾነ፡ ከምኡ ኣብ ምድሪ ይኹን" ዚብላ ቃላት፣ "ኣብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብርእሱ ከም ዝኾነ፡ ኣብ ቤተክርስትያን እውን ይኹን"፤ ወይ ከኣ "ፍቓድ ኣቦኡ ከም ዝፈጸመ መርዓዊ፣ ነታ ናብኡ ዝተሓጽየት መርዓት'ውን ከምኡ ይኹን" ማለት ምዃኑ፡ ምስ'ቲ ሓቂ ዚጋጮ ኣይምኾነን።[112]

---

105 ዮሓ 8:29 ረአ
106 ኦርጌንስ De orat 26፡ PG 11, 501B
107 ቅ.ዮሓንስ ኣፈወርቅ Hom. In Mt. 19, 5፡ PG 57, 280.
108 ሮሜ 12:2፣ኤፌ 5:17፣ ዕብ 10:36 ረአ
109 ማቴ 7:21
110 ዮሓ 9:31፣1 ዮሓ 5:14 ረአ
111 ሉቃ 1:38፣49 ረአ
112 ቅ.ኣጕስጢኖስ De serm. Dom. 2, 6, 24፡ PL 34, 1279.

## IV. "ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና"

**2828** "ሃበና"፡- ሕፃናት ኩሉ ነገር ካብ ወለዶም ንምልማን ዘለዎም
2778 ምትእምማን ድንቂ እዩ። "ንሱ ንኽፉኣትን ንሕያዎትን ፀሓዩ የብርህ፤ ንጻድቃንን ንኃጥኣንን ድማ ዝናቡ የዝንብ"[113]። ንኹሎም ሕያዋን "ምግቦም ብግዜኡ ይህቦም"።[114] መጠን ክንደይ ሠናይ (ሕያዋይ)፣ ልዕሊ ኹሉ ሕያውነት ምኳኑ ምእማን፡ ንእግዚኣብሔር-ኣቦ ክብሪ ዚህብ ስለዝኾነ፡ ኢየሱስ ነዚ ልመናዚ ይምህረና።

**2829** "ሃበና" ዚብል ቃል ነቲ መደብ ኪዳን'ውን ዚገልጽ እዩ። ንሕና ናቱ
1939 ኢና፣ ንሱ ከኣ ምእንቲ ረብሓና ናትና እዩ። እዚ "ንኣና" (ንኣና ሃብ) ዚብል ቃል ንእግዚኣብሔር ከም መጠን ኣቦ-ዅሎም ሰባት ከም ትእመነሉ ዚገብር እዩ። ንሕና ድማ ምእንቲ ኵሎም ኣብ'ቲ ግድነቶምን ሥቓያቶምን ብምሕባር ክንጽልየሎም ንርከብ።

**2830** "እንጌራና"፡- ሕይወት ብዓቢኡ ዝሃበና ኣቦ፣ ንሕይወት ዘድልየና
2633 ዘበለ፣ ብፍላይ ድማ ግዙፍን መንፈሳውን ኣድላዪ ነገራት፣ ቡራኬ'ውን ከይተረፈ ይህበና'ምበር ኪኽልኣና ኣይክእልን። ኣብቲ ናይ እምባ ስብከቱ ኢየሱስ ኣበርቲዑ ዚዛረበሉ፣ ብዛዕባ'ቲ ምስ ናይ ኣምላኽ ኣባታዊ ኃልዮት ዚተሓባበር ውሉዳዊ ምትእምማን እዩ።[115] ናብ ትህኪት ኣይኮነን ዚጽውዓና ዘሎ።[116] እንታይ ደኣ ካብ'ቲ ዕረፍቲ ዚኽልኣና ጭንቀትን ሓዘንን ብኽመይ ከምዚውጻእ የመልክተልና። እቲ ናይ ደቂ-እግዚኣብሔር ውሉዳዊ ዑቕባን ተኣዝዞን ድማ እዚ እዩ፡-

227 እግዚኣብሔር፡ ነቶም መንግሥቱን ጽድቁን፡ ዚደልዩ ሰባት፡ ነቲ ካልእ ኹሉ ከምዚህቦም ቃል ኣትዩ እዩ። እንተኾነ፡ ኩሉ ነገር ብርግጽ ናይ እግዚኣብሔር ከም ምኳኑ መጠን፣ ንእግዚኣብሔር ቅድሚ ምርካቡ ካልእ ነገር ዚደሊ እንተዘይኮይኑ፣ ንእግዚኣብሔር ናቱ ዝገበረ ሰብ ዚጕድሎ ነገር የብሉን።[117]

**2831** እንተኾነ መግቢ ብምስኣን ዚጠምዩ ሰባት ምህላዎም፣ ነዚ ልመና'ዚ
1038 ዓሚቝ ትርጓሜ ዘውህቦ እዩ። እቶም ብልቢ ዚጽልዩ ክርስትያን ኣብ ውልቃዊ ኣካያይዳኦም ኮነ፣ ምስ ሰብኣዊት ስድራቤት (ዓሌትሰብ) ብዘለዎም ኀብረትን ሓድነትን፣ ነዚ ኣብ ዓለም ዚረአ ጥሜት ብዚምልከት ዚከኣል ዘበለ ኪገብሩ ኃላፍነቶም እዩ። እዚ ጸሎት-ጐይታ ድማ ካብ'ቲ ናይ ድኻ ኣልኣዛርን ናይ መወዳእታ ፍርዲ ምሳሌታትን ተነጺሉ ዚረአ ኣይኮነን።[118]

---

[113] ማቴ 5፡45
[114] መዝ 104፡27
[115] ማቴ 6፡25-34 ረአ
[116] 2 ተሰ 3፡6-13 ረአ
[117] ቅ.ቆጵርያኖስ De Dom. orat. 21፡ PL 4, 534A.
[118] ሉቃ 16፡19-31፣ማቴ 25፡31-46 ረአ

**2832** ንብሑቕ መባኹዕቲ ከምዘድልዩ፣ ናይ'ዛ መንግሥቲ እግዚኣብሔር 1928
ምሕዳስ ድማ ብመንፈስ-ክርስቶስ ንምድሪ "ፈኾኽ ከብላ" ኣለዎ[119]፤ እዚ ዚኸውን ከኣ ውልቃዊ ኅብረተሰባዊ ኤኮኖሚያዊ ኮነ ዓለምለኸ ርክባት፣ ኣብ ፍትሒ ዝተመርኰሰ እንተኾነ እዩ። ብሓቂ ንፍትሒ ዚደልዩዋ ሰባት ኣብ ዘይብሉ፣ ፍትሓዊ መሣርዕ ኪህሉ ከምዘይክእል ኪርሳዕ የብሉን።

**2833** እታ "ናትና እንጌራ"፣ እታ "ንብዙኃት" እትኸውን "ሓንቲ" ቁራስ 2790
እንጌራ እያ። ነቲ ኣብ ኣንቀጸ ብፁዓን ዝተነግረ "ድኽነት" ናይ ምስታፍ ተግባር 2546
እዩ። ነቲ ኩሉ ግዙፍን መንፈሳውን ርካብናን ጥሪትናን፣ ብሓይሊ ዘይኮነስ ብፍቕሪ ተለዓዒልና ምስ ኣኀዋትና ክንከፋፈሎ በዚ መንፈሳዊ ኃይል'ዚ ተጸዊዕና ኢና። ከም'ዚ ንምግባር ዘድሊ ከኣ እቲ ናይ ውሑዳት ኣዝዩ ብዙሕ ሃብቲ፣ ንናይ ካልኦት ስእነት ንምርሃው ምእንቲ ኪሕግዝ እዩ።[120]

**2834** "ጸሊ፣ ምስኡ ስራሕ ኣዘውትር"።[121] "ኩሉ ነገር ካብ እግዚኣብሔር 2428
ጥራሕ ከምዝኾነ ሓሲብካ ጸሊ፣ ከምኡ'ውን ኩሉ ነገር ካባኻን ኣባኻን ጥራሕ ከምዝኾነ ገሚትካ ስራሕ ኣዘውትር"።[122] ብዚግባእ ርሂጽና ብስራሕና ዝረኸብናዮ መግቢ'ውን ይኹን ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልናዮ ህያብ እዩ። ቅድሚ መኣድን፣ ድሕሪ መኣድን ዚግበር፣ ኣብታ ክርስትያናዊት ስድራቤት ዚዝውተር ጸሎት፣ እዚ ምእንቲ ኪወሃበና ምልማንን ነኣኡ ምምስጋንን ግቡእ እዩ።

**2835** እዚ ልመና'ዚ ምስ'ቲ ዘስዕቦ ኃላፍነት፣ ነኣኡ ብዘይምርካብ ንሰባት 2443
ዚልክም ዘሎ ጥሜት'ውን ከይተረፈ ዚምልከት እዩ። "ሰብ ካብ ኣፍ እግዚኣብሔር 1384
ብዚወጽእ ኩሉ ቃል ደኣ'ምበር፣ብእንጌራ ጥራሕ ከምዘይነብር ምእንቲ ከፍልጠኩም ንሱ...ኣጥመየኩም፣..ዘይፈለጥኩምዎ መና'ውን ኣብለዓኩም"[123]፤ ስለ'ዚ ሰብ ዚነብር በቲ እግዚኣብሔር ዚዛረቦ ቃልን ዘስተንፍሶ መንፈሱን እዩ። ክርስትያን ድማ፡ "ንድኻታት" ወንጌል ኪሰብኩሎም ዝኾነ ይኹን ጻዕሪ ኪገብሩ ይግባእ"። ኣብ ምድሪ ጥሜት ኣሎ፤ እዚ ግን -"ንምስማዕ ቃል እግዚኣብሔር እምበር ጥሜት-እንጌራን ጽምኢ-ማይን ኣይኮነን"።[124] ምእንት'ዚ ከኣ ናይ'ዛ ራብዓይቲ ልመና ፍሉይ ክርስትያናዊ ትርጓሜኣ፣ ነቲ እንጌራ-ሕይወትን ነቲ ብእምነት እንቕበሎ ቃል-ኣምላኽን፣ ኣብ ቅዱስ ቊርባን ንእንቕበሎ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ዚምልከት እዩ።[125]

---

[119] *ሓዋርያዊ ተልእኮ* AA 5 *ረአ*
[120] 2 *ቆሮ* 8፡1-15 *ረአ*
[121] *ሕጊ መነኮሳን ናይ ኣቡነ ቡሩኽ* 20፡ 48 *ረአ*
[122] Attributed to St. Ignatius Loyola, cf. Joseph de Guibert, SJ, The Jesuits፡ Their Spiritual Doctrine and Practice, (Chicago፡ Loyola University Press, 1964), 148, n. 55.
[123] *ዘዳ* 8፡3፣*ማቴ* 4፡4
[124] *ኣሞ* 8፡11
[125] *ዮሓ* 6፡26-58 *ረአ*

**2836** "ሎሚ" ዚብል ቃል ድማ ንሕና ክንምህዞ ዘይምኽኣልና፣ ጐይታ
1165 ዝመሃረና ናይ ተስፋን ምትእምማንን መግለጺ እዩ።[126] "ሎሚ" ዚብል ቃል ልዕሊ ኹሉ ነቲ ቓሉን፣ ናይ ወዱ ሥጋን ዚርኢ ስለዝኾነ፣ ብመንፅር'ቲ ሓላፍን በራስን (መዋቲ) ግዜና ዚግመት ዘይኮነስ፣ በቲ ናይ ኣምላኽ "ሎሚ" ዚጥመት እዩ።

> ነቲ እንጌራ'ቲ በብዕለቱ እንተተቐቢልካዮ ነፍስወከፍ ዕለት ነኣኻ "ሎሚ" እያ። ክርስቶስ ሎሚ ናትካ እንተደኣ ኮይኑ ምእንታኻ ዕለተ ዕለት ይትንሥእ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ብኸመይ ኪኸውን ይኽእል"? —"ንስኻ ወደይ ኢኻ፣ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ"። ስለ'ዚ ከኣ "ሎሚ ክርስቶስ ዚትንሥኣላ እያ"።[127]

**2837** "ኣብ ጸጽባሕ" (በብዕለቱ) ዚብል ቃል ኣብ ጽሑፋት ሓዲስኪዳን
2659 ዘይርከብ እዩ። ብምድራዊ ትርጓሜኡ "ብዘይካ ገለ ደረት" ኣብ እምነት ዘጽንዓና
2633 ናይ'ቲ "ሎሚ" ዚብል ሓሳብ ዚደጋግምን ዚምህርን እዩ።[128] እቲ ቓል ብመንፅር
1405 ዚገልጾ እንተረኣናዮ፣ ንሕይወት ኣድላዪ ዝኾነ ነገር የመልክት። ኣስፍሕ ኣቢልካ
1166 ኪረአ ከሎ ድማ፣ ብሕይወት ንምንባር ዘብቅዕ[129] ዝኾነ ይኹን ሠናይ ነገር
1389 የመልክት። ቃል ብቓሉ ኪረአ ከሎ "ብግዲ ኣድላዪ" ዚብል ሓሳብ እንኪህልዎ፣ ብዘይካኡ ሕይወት ዘይርከበሉ፣ ነቲ እንጌራ-ሕይወት፣ ሥጋን ደምን ክርስቶስ፣ ከምኡ'ውን "ንፈውሲ ዘለዓለምነት" ብቐጥታ የመልክት።[130] ኣብ መወዳእታ፣ ምስ'ዚ ብዝተተሓሓዘ ኵነታት እቲ ሰማያዊ ትርጉሙ ግልጺ እዩ፦ "ሎሚ"፣ ዕለተ-ጐይታ፣ ናይ መንግሥቱ በዓል፣ ኣብ ቅዱስ ቍርባኑ ዝተራእየን፡ ናይ'ቲ ዚመጽእ መንግሥቱ ጠዓሞት'ውን እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ በብዕለቱ መሥዋዕተ ቅዳሴ ምውፋይ ግቡእ እዩ።

> ቅዱስ ቍርባን ዕለታዊ እንጌራና እዩ። ነዚ ናይ መለኮታዊ መግቢ ኃይሊ ናይ ሓድነት ማእሰር ይገብሮ። ኣብ ዙርያ ሥጋኡ ተጋቢእና ናቱን ኣባላቱን ብምዃን ነቲ እንቕበሎ ምእንቲ ኽንከውን፣ እቲ ውጽኢቱ እነስተውዕሎ ኣብ ሓድነቱ እዩ።....በብዕለቱ ኣብ ቤተክርስትያን እትሰምዕዎ ንባብን፣ እተዚምዎን እትሰምዕዎን መዝሙር ዕለታዊ እንጌራና እዩ። እዚ ኹሉ፣ ነቲ እንገብሮ ጕዕዞ-እምነት ኣድላዪ ነገራት እዩ።[131] ደቂ መንግሥተ ሰማይ ከም ምዃንና መጠን፣ ሰማያዊ እንጌራ ንምርካብ ክንልምኖ፡ ሰማያዊ ኣቦና የተባብዓና። ክርስቶስ ንርእሱ ኣብ ድንግል ዝተዘርአ፣ ብሥጋ ዝዓበየ፣ ብሥቓያት ዝበኾዐ፣ ኣብ መቓብር (እቶን) ዝተሰንከተ፣ ኣብ ቤተክርስትያን ዝተቐመጠ፣ ኣብ ታቦት ምሥዋዕ ዝቐረበ ንምእመናን ዚኸውን ሰማያዊ ብልዒ እውን በብዕለቱ ዘምጽእ እዩ።[132]

---

[126] ማቴ 6፡34፣ዘፀ 16፡19 ረኣ
[127] ቅ.ኣምብሮዝዩስ De Sacr. 5, 4, 26፡ PL 16, 453A፣ መዝ 2፡7 ረኣ
[128] ዘፀ 16፡19-21 ረኣ
[129] 1 ጢሞ 6፡8 ረኣ
[130] ቅ.እግናጽዮስ ዘኣንጾኪያ Ad Eph 20, 2፡ PG 5, 661፣ዮሓ 6፡53-56
[131] ቅ.ኣጎስጢኖስ Sermo 57, 7፡ PL 38, 389.
[132] ቅ.ጴጥሮስ ንባበወርቅ Sermo 67፡ PL 52, 392፣ ዮሓ 6፡51 ረኣ

# V. “ንሕና ንዝበደሉና ይቕረ ከም እንብል፣ ንበደላትና ይቕረ በለልና”

**2838** እዚ ልመና'ዚ ኣዝዩ ዘገርም እዩ። “በደላትና ይቕረ በለልና” ዚብል ወገን ጥራሕ ዝሓዘ እንተዚኸውን፣ ብተዘዋዋሪ ኣብ'ተን ቀዳሞት ሠለስተ ልመናታት ጸሎት-ጐይታ ምኣተወ፤ ምኽንያቱ መሥዋዕተ-ክርስቶስ (ሥርየት-ኃጢኣት) ንኺርከብ እዩ ዕላማኡ። እንተኾነ እቲ ካልእ ብሂል ከምዘረድኣና፣ ኣቕዲምና እቲ ጥብቂ ዝኾነ ቅድመኵነት እንተዘይፈጺምና፣ ልመናና ኪስማዕ ከምዘይከኣል ዚእምተልና እዩ። እቲ ናትና ልመና ንንሓዋሩ ዚርኢ እንኪኸውን፣ ምላሽና ኣቕዲሙ ኪረአ ዘለዎ እዩ። ክልቲኡ ወገናት ኣበሃህላ፡ በታ “ከም” እትብል ቃል ተኣሳሲሩ ኣሎ። 1425 1933 2631

## ንበደላትና ይቕረ በለልና...

**2839** ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦና ብተባዕ ምትእምማን ክንጽሊ ጀሚርና ኣሎና። 1425
ስሙ ንኺቕደስ ክንልምን ከሎና፣ ብርግጽ እቲ እንልምኖ፡ ንሕና ንርእስና 1439
ወትሩ እናተቐደስና ምእንቲ ክንስጉም እዩ። ልብሲ ምሥጢረ-ጥምቀት 1422
ዝለበስና'ኳ እንተኾንና፣ ኃጢኣት ካብ ምፍጻምን ካብ ኣምላኽ ካብ ምርሓቕን፣ ዝተበየንና ግን ኣይኮናን። በዚ ሓዲሽ ልመና'ዚ እምበኣር ከም'ቲ ዝኾብለለን ገንዘቡ ዝበተነን ውሉድ፣ ናብኡ (ናብ እግዚኣብሔር) ንምለስ፣ ከም'ቲ ኣካቢ ቀረፅ'ውን ኣብ ቅድሚኡ ቀሪብና ኃጢኣተይናታት ምዃንና ንእመን።[133] እቲ ልመናና ከኣ ነቲ ውርደትናን ምሕረቱን ብምእማን (ብምንዛዝ) ንጅምሮ። ንሕና ብናይ ወዱ “ቤዛውነት ሥርየት-ኃጢኣትና ስለዝረኸብና” ተስፋና ድልዱል እዩ።[134] ኣብ ምሥጢራት-ቤተክርስትያኑ'ውን ቅኑዕን ውጽኢት ዘለዎን ምልክት-ምሕረቱ ንረክብ[135]።

**2840** ሕጂ ድማ፣ ነቶም ዝበደሉና ይቕረ ክሳብ ዘይበልና፡ እቲ ናይ ምሕረቱ 1864
ምፍሳስ ናብ ልባትና ሰርሲሩ ኪኣቱ ኣይክእልን እዩ፤ እዚ ኸኣ ጽንኩር እዩ። ፍቕሪ ልክዕ ከምቲ ኣካለ-ክርስቶስ ዘይከፋፈል እዩ። ነቶም እንርእዮም ኃውናን ኃውትናን ዘይነፍቅር እንተደኣ ኮይንናስ፡ ነቲ ዘይንርእዮ እግዚኣብሔር ከነፍቅር ኣይንኽእልን።[136] ንኣኃዋትናን ኣኃትናን ይቕረታ እንተኸሊእና ልባትና ተሪሩ ይዕጸ። እዚ ትሪ'ዚ ድማ ንናይ እግዚኣብሔር-ኣቦ መሓሪ ፍቕሪ ከምዘይቅበል ይገብሮ። ኃጢኣትና ክንእመን ወይ ክንናዘዝ ከሎና ግን ልባትና ብጸጋኡ ዝተራሕወ ይኸውን።

---

[133] ሉቃ 15፡11-32፣18፡13 ረአ
[134] ቆላ 1፡14፣ኤፌ 1፡7
[135] ማቴ 26፡28፣ዮሓ 20፡23 ረአ
[136] I ዮሓ 4፡20 ረአ

**2841** እዚ ልመና'ዚ ኣዝዩ ኣድላዪ ብምዃኑ፡ ኣብ'ቲ ናይ እምባ ስብከቱ ጐይታ እንደገና ብግልጺ ዘማዕበሎ ልመና ንብሕቱ እዩ።[137] እዚ ናይ ምሥጢረ ኪዳን ኣገዳሲ ቅድመ-ኵነት ንወድሰብ ዘይከኣሎ እዩ። "ንእግዚኣብሔር ግን ኩሉ ነገር ይከኣሎ እዩ።"[138]

## ...ንሕና ንዝበደሉና ይቕረ ከም እንብል

**2842** እዛ "ከም" እትብል ቃል፡ ኣብ ትምህርቲ ኢየሱስ ብዙሕ ፍልይ ዝበለት
521 ኣይኮነትን። "እምበኣርከስ ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፣ ንስኻትኩም'ውን ፍጹማት ኩኑ"። "ሰማያዊ ኣቦኹም ርኅሩኅ ከም ዝኾነ፣ ንስኻትኩም ከኣ ርኅሩኃት ኩኑ"። "ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፣ እወ ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም ገቢርኩም ምእንቲ ክትፋቐሩ ሓድሽ ትእዛዝ እህበኩም ኣሎኹ"[139] ይብል። ነቲ መለኮታዊ ኣብነት ብግዳም ብምምሳል/ብምኽታል ትእዛዝ-ጐይታ ምፍጻም ዘይከኣል እዩ። እቲ ናይ ኣምላኽና ምሕረትን ቅድስናን ፍቕርን፣ ብልቢ ናይ ዝኣመነ ሰብ ሕያው ተሳትፎ ዚሓትት እዩ። ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ንዝነበረ ሓሳብ "ናትና" ኪገብሮ ዚኽእል፡ እቲ ነኣና ሕይወት ዚህብ መንፈሱ እዩ።[140] ሽዑ እቲ ብይቕረታን ምሕረትን ዚርከብ ሓድነት ይብጻሕ፣ ንሕና ንባዕልና "ኣምላኽ ብክርስቶስ ይቕረ ከምዝበለልና" ንሓድሕድና.... "ይቕረ ክንበሃሃል" ንርከብ።[141]

**2843** ምእንት'ዚ እምበኣር፡ እቲ ብዛዕባ ምሕረት ዚንገር ቃላት-ጐይታን፣
368 እቲ ክሳብ መወዳእታ ዘፍቅር ፍቕርን[142]፡ ሕያውን ጭቡጥን ነገር ይኸውን። ብዛዕባ ሱታፌ-ቤተክርስትያን፡ ጐይታ ንዝሃቦ ትምህርቲ ዚዛዝም ናይ'ቲ ዘይምሕር ጨካን ኣገልጋሊ ታሪኽ- "ነፍስወከፍኩም ንኃዉ ካብ ልቡ በደሉ እንተዘይኃዲጉሉ፣ ሰማያዊ ኣቦይ'ውን ከምኡ ኪገብረኩም እዩ"[143] ብዚብል ቃላት የትርሮ። ብሓቂ'ውን ኩሉ ነገር ዚእሰርን ዚፍታሕን ኣብ'ቲ ናይ "ልቢ መዓሙቕ እዩ"። ንበደል ምርሳዕ ወይ ዘይምሕሳብ ልዕሊ ዓቕምና እዩ፤ እንተኾነ ርእሱ ናብ መንፈስ ቅዱስ ዘቕርብ ልቢ፡ ነቲ ጉድኣት ናብ ርኅራኄ፣ ንበደል ናብ ኣማልድነት ብምልዋጥ፣ ነቲ ዝኽሩ የንጽሖ።

**2844** ክርስትያናዊ ጸሎት ንጸላኢ ይቕረ ክሳብ ምባል ዚበጽሕ፣ ነቲ
2262 ወደመዝሙር ለዊጡ ንመምህሩ ዘመሳስሎ እዩ።[144] ምሕረትን ይቕረታን ናይ ጸሎተ-ክርስትና ዝለዓለ ነጥቢ እዩ። ብናይ ኣምላኽ ርኅራኄ ዝተቓነየ ልብታት ጥራሕ፣ ህያብ ጸሎት ኪቕበል ይኽእል። ኣብ'ዛ ዓለምና ካብ ኃጢኣት፡ ፍቕሪ

---

[137] ማቴ 6፡14-15፣5፡23-24፣ማር 11፡25 ረኣ
[138] ማቴ 19፡26
[139] ማቴ 5፡48፣ሉቃ 6፡36፣ዮሓ 13፡34
[140] ገላ 5፡25፣ፊልጵ 2፡1፣5 ረኣ
[141] ኤፌ 4፡32
[142] ዮሓ 13፡1 ረኣ
[143] ማቴ 18፡23-35 ረኣ
[144] ማቴ 5፡43-44 ረኣ

ኣዝያ ከም እትብርትዕ፡ ምሕረቱ ይምስክር። እቶም ናይ ትማሊ ኮኑ ናይ ሎሚ ሰማዕታት ከኣ፣ ንኢየሱስ በዚ እዮም ዚምስክርሉ። ደቂ-እግዚኣብሔር ምስ'ቲ ኣቦኦም፣ ከምኡ'ውን ንሓድሕዶም ምእንቲ ኪዕረቑ፣ ኣድላዪ መሠረታዊ ቅድመ ኹነት ይቕረታን ምሕረትን እዩ።[145]

**2845** ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሉቃስ (11፡4) ዘሎ "ኃጢኣት" ወይ ከኣ ኣብ ማቴዎስ (6፡12) ዘሎ "ዕዳ" እንክትዛረብ፣ ነዚ ኣገዳሲ ዝኾነ መለኮታዊ ምሕረት ደረት ክትገብረሉ ዘይከኣል እዩ።[146] ኩልና ሰብ ዕዳ ኢና -"ንሓድሕድኩም ምፍቓር እንተዘይኮይኑ ምስ ሓደ'ኳ ዕዳ ኣየሃልኹም"[147] ሱታፌ ቅድስት ሥላሴ ብዝኾነ ይኹን ዓይነት ርክብ፣ ምንጪ ሓቅን መለክዒኣን እዩ። እዚ ሱታፌ'ዚ ድማ ብጸሎትን ቅዱስ ቍርባን ብዘይምቍራጽን ቀጺልካ ዚንበር እዩ።[148] 1441

> ፍልልይ ዚዘርእ ሰብ ዘቕርቦ መሥዋዕቲ፣ እግዚኣብሔር ፈጺሙ ኣይቅበሎን እዩ። ምእንት'ዚ ቅድም ምስ ኃዉ ምእንቲ ኪዕረቕ ካብ'ቲ ቦታ ምሥዋዕ ኪርሕቕ ይእዝዞ። ንእግዚኣብሔር ባህ ዘብሎ ድማ በቲ ሰላም ዘምጽእ ጸሎት ጥራሕ እዩ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር እቲ ዝበለጸ መሥዋዕቲ፣ ሰላም ኅውነታዊ ስምምዕን ስኒትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሓድነት ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ዝኾነ ሕዝቢ እዩ።[149]

## VI. "ኣብ ፈተና ኣይተእትወና"

**2846** ኃጣውእና፡ ኣብ ፈተና ካብ ምውዳቕና ዝፈልፈለ ስለዝኾነ፡ እዚ ልመና'ዚ ኣብ'ቲ ዝቐደመ ሡር ዚበጽሕ እዩ። ምእንት'ዚ ድማ ናብ ፈተና 164
"ኣይተእትወና" ክንብል ንልምኖ። ነቲ ግሪኻዊ ቃል ብንጽል ምትርጓሙ ጽጉም 2516
እዩ። እቲ ግሪኹ፡ "ናብ ፈተና ንኽንኣቱ ኣይተፍቅድ" ዚብልን፣ "ኣብ ፈተና ከም እንወድቕ ኣይትግበር" ዚብል ክልተ ትርጉም ኣለዎ።[150] "እግዚኣብሔር ብኽፉእ ኣይፍትንን፣ ንሱ ባዕሉ ንማንም ኣይፍትንን እዩ"[151]፤ እኳ ደኣ ብተጻዩ ካብ ክፉእ ነገር ከውጸኣና ይደሊ። ናብ ኃጢኣት ንዚመርሓና መንገዲ ንኸንክተል ምእንቲ ከየፍቅድ ንልምኖ። ኣብ "መንጎ ሥጋን መንፈስን" ኣብ ዚካየድ ውግእ ንርከብ ኣሎና፤ እዚ ልመና'ዚ ናይ ፍልጠትን ብርታዐን መንፈስ ይምሕጸን።

---

[145] 2 ቆሮ 5፡18-21፣ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ DM 14 ረአ
[146] ማቴ 18፡21-22፣ሉቃ 17፡3-4 ረአ
[147] ሮሜ 13፡8
[148] ማቴ 5፡23-24፣1 ዮሓ 3፡19-24 ረአ
[149] ቅ.ቆጵርያኖስ De Dom. orat. 23፡ PL 4, 535-536፣ ማቴ 5፡24 ረአ
[150] ማቴ 26 41 ረአ
[151] ያዕ 1፡13

**2847** *ንዕቤት እቲ ውሽጣዊ ሰብ*[152] *ዚሕግዝ ፈተናታት ኮነ፣ ኣብ መንነ'ቲ*
2284 *ናብ ኃጢኣትን ሞትን ዚመርሕ ተጻብኦታት፣ ክንመምን ክንፈልን ዘኽእለና*
*መንፈስ ቅዱስ እዩ።*[153] *ኣብ መንነ ምፍታንን (ክትፍተን ከሎኻ) ኣብ ፈተና*
*ምውዳቕን ንዘሎ ኍነታት ፈሊኻ ምፍላጡ ኣድላዪ እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ*
*ውጽኢቱ ሞት ክነሱ፣ ዕላማኡ "ንዓይኒ ዘሓጕስን" ጽቡቕን ተበሃግን መሲሉ*
*ንዘጋገ ናይ ፈተና ሓሶት ምስትውዓሉ፣ ዕርቃኑ ምውጻእ ማለት እዩ።*[154]

> *እግዚኣብሔር ነጻ ዝኾኑ ፍጡራን እዩ ዚደሊ'ምበር ነቲ ጽቡቕ (ሠናይ) እውን ንኽንቅበል ኣየገድደናን እዩ። ፈተና'ውን እንተኾነ ገለ ጠቕሚ ኣለዎ። ነፍስና ካብ እግዚኣብሔር ዝተቐበለቶ ነገር፣ ብዘይካ ኣምላኽ ብቐንዱ፣ ንሕና'ውን እንታይ ምዃኑ ኣይንፈልጦን ኢና። እንተኾነ ንሕና ርእስና ምእንቲ ክንፈልጥ ነዚ ነገር'ዚ ይገልጸልና። በዚ መሠረት'ዚ ንሕና ነቲ ክፉእ ዝንባሌና ንፈልጥ። ስለዚ በዚ ብፈተና ዝተገልጸልና ሠናይ ነገር ምስጋና (ንኣምላኽ) ከነቕርብ ይግባኣና።*[155]

**2848** *"ኣብ ፈተና ኣይተእትወና" ዚብል ኣዘራርባ፡ ንውሳኔ-ልቢ ዘመልክት*
1808 *እውን እዩ። "መዝገብካ ኣብ ዘለዎ ልብኻ ኣብኡ ኣሎ…ንኽልተ ጐይቶት ኪግዛእ*
*ዚኽእል የልቦን"።*[156] *"ብመንፈስ እንተነበርና፡ ብመንፈስ ንምላእ"*[157]*። በዚ ምስ*
*መንፈስ ቅዱስ ዚህሉ ስኒት፣ እግዚኣብሔር-ኣቦ ብርታዐ ይህበና። "ሰብ ኪጸሮ*
*ዘይክእል ፈተና ኣይበጽሓኩምን ኣምላኽ እሙን እዩ፤ ስለ'ዚ ልዕሊ ዓቕምኹም*
*ክትፍተኑ ኣይኪሓድገኩምን እዩ። ምጽዋሩ ምእንቲ ክትኽእሉ ግና ምስ'ቲ*
*ፈተናኹም መዋጽኦ ገቢሩልኩም ኣሎ።"*[158]

**2849** *ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱ ውግእ ኮነ "ገድል" ዓወት ዚርከብ ብጸሎት እዩ።*
540 *ኢየሱስ'ውን ተልእኮኡ ብወግዒ ኣብ ዝጀመረሉን፣ ኣብ'ቲ መጨረሽታ ሥቓያቱን*
612 *ዝገበሮ ገድል፡ ነቲ ፈታኒ "ሰይጣን" ዝሰዓሮ ብጸሎት እዩ።*[159] *ኣብ'ዚ ናብ*
2612 *ሰማያዊ ኣቦና እነቕርቦ ልመና፣ ክርስቶስ ኣብ'ቲ ተጋድሎኡን ሥቓያቱን*
162 *የወሃህደና። ምስኡ ኣብ ሱታፌ ንምእታው፡ ንቕሓት-ልቢ ከነዘውትር ይምዕደና።*
*-ንቕሓት ማለት፡ "ልብኻ ምሕላው/ምዅስኳስ" እዩ። ኢየሱስ ድማ ነኣና ናብ ኣቦኡ*
*ይጽልየልና፡ -"ብስምካ ሓልዎም"*[160]*። ነቑሕና ምእንቲ ክንነብር መንፈስ ቅዱስ*
*ቀጺሉ ከለዓዕለና ይጽዕር።*[161] *ኣብ መወዳእታ ከኣ እዚ ልመና'ዚ ኣብ'ዚ ምድራዊ*
*ገድልና ምስዘጋጥም፣ ምስ'ቲ መጨረሽታ ፈተናና ብዘለዎ ርክብ ፍሉይ ትርጕም*

---

[152] **ሉቃ** 8:13-15፣**ግ.ሓ** 14:22፣**ሮሜ** 5:3-5፣2 **ጢሞ** 3:12 *ረአ*
[153] **ያዕ** 1:14-15 *ረአ*
[154] **ዘፍ** 3:6 *ረአ*
[155] **ኣርጌንስ** De orat. 29: PG 11, 544CD.
[156] **ማቴ** 6:21፣24
[157] **ገላ** 5:25
[158] 1 **ቆሮ** 10:13
[159] **ማቴ** 4:1-11፣26:36-44 *ረአ*
[160] **ዮሓ** 17:11፣**ማር** 13:9፣23፣33-37፣14:38፣**ሉቃ** 12:35-40 *ረአ*
[161] 1 **ቆሮ** 16:13፣**ቆላ** 4:2፣ **ተሰ** 5:6፣1 **ጴጥ** 5:8 *ረአ*

ይረክብ። ነቲ ናይ መወዳእታ ጽንዓት የሓትት። "እነሆ ከም ሰራቒ እመጽእ ኣሎኹ … እቲ ዚነቅሕ ….ብፁዕ እዩ"።[162]

## VII. "ካብ ዅሉ ክፉእስ ኣድኅነና ደኣ"

**2850** እቲ ናብ እግዚኣብሔር ኣቦና እነቕርቦ መወዳእታ ልመና፣ ኣብ'ቲ ጸሎት ኢየሱስ ተጠቓሊሉ ዘሎ እዩ፤ "ካብ'ቲ ክፉእ ክትሕልዎም ደኣ እምበር፣ ካብ ዓለም ክትወስዶም ኣይኮንኩን ዝልምን ዘሎኹ"[163]። ቃላቱ ንነፍስወከፍ በብውልቂ ዚትንክፍ ኣበሃህላ እዩ፣ እንተኾነ ግን ምእንቲ ድኅነት መላእ ዓሌትሰብ፡ ምስ ምልእቲ ቤተክርስትያን ኮይንና እንጽሊ "ንሕና" ኢና። እዚ ጸሎት-ጐይታና ኸኣ፡ ንናይ ኣምላኽ ሥነምጋቤ ድኅነት ቀጺሉ ክርሕወልናን፣ ናብ ስፍሑ ከእትወናን ይርከብ። ኣብ መንጎ ሃለዋት-ኃጢኣትን ሞትን ዘሎ ሓድሕዳዊ ምትእስሳርና፣ ምስ ኣካለ-ክርስቶስ ናብ ዚርከብ ኅብረትን፣ ናብ "ሱታፌ-ቅዱሳንን"[164] ይልወጥ። 309

**2851** ኣብ'ዚ ልመና'ዚ ክፍኣት፡ ከምሓደ ረቂቕ ነገር ኮይኑ ዚቐርብ ዘይኮነስ፣ ንሓደ ኣካል ንሰይጣን፡ ነቲ ክፉእ ብቐንዱ፣ ንእግዚኣብሔር ንዚቃወም መልኣኽ ብርእሱ ዘመልክት እዩ። ሰይጣን(ዲያብሎስ) ነቲ ብኽርስቶስ ዚፍጸም ናይ እግዚኣብሔር መደብ-ድኅነት ዚጻረርን፣ ርእሱ መሰናኽል ዚገብርን እዩ። 391

**2852** "ንሱ ካብ መጀመርታ ቀታል ነፍሲ…ሓሳዊ፣ ንሓሶት'ውን ኣቦኣ"… "ንዓለም ኩሉ ዘስሕት"[165] እዩ። ብምኽንያቱ ኃጢኣትን ሞትን ናብ ዓለም ኣተወ። "ንሱ (ሰይጣን) ብዘየዳግም ኣገባብ ስለዝተሳዕረ፣ ኩሉ ፍጥረት ካብ'ቲ ኃጢኣትን ሞትን ዘስዕብ ጥፍኣት"[166] ሓራ ወጺኡ እዩ። ሕጂ ድማ "እቲ ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ ኃጢኣት ከምዘይገብር ንፈልጥ ኢና፤ ወዲ ኣምላኽ ስለዚሕልዎ እቲ ክፉእ ኣይትንክዮን እዩ፤ ንሕና ናይ ኣምላኽ ከምዝኾንና ብዘሎ ዓለም ከኣ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት እቲ ክፉእ ከምዘሎ ንፈልጥ ኢና"።[167]

> ንሰብ ናብ ኃጢኣት ምምራሕ ዝለመደ ጸላኢኹም ከየሰንብደኩም፣ ካብ ናይ ጸላኢኹም ዲያብሎስ ተንኰላት ድማ፣ እቲ ኃጢኣትኩም ዚድምስሰልኩምን ይቕረታ ዚገብረልኩምን ጐይታ ኪከላኸለልኩምን ኪሕልወኩምን እዩ። ርእሱ ንእግዚኣብሔር ዝወፈየ ሰብ ንዲያብሎስ ኣይፈርሕን እዩ። ብሓቂ'ውን "ኣምላኽ ምሳና እንተደኣ ኮይኑስ መን'ዩ ዚቃወመና?"[168]

---

[162] ራእ 16፡15
[163] ዮሓ 17፡15
[164] RP 16 ረአ
[165] ዮሓ 8፡44፣ራእ 12፡9
[166] ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ Eucharistic Prayer IV, 125.
[167] 1 ዮሓ 5፡18-19
[168] ቅ.ኣምብሮዝዩስ De Sacr. 5, 4, 30፡ PL 16, 454፣ሮሜ 8፡31 ረአ

**2853** ኢየሱስ ንሕይወቱ ምእንታና ንኸወፍያ ኢሉ፡ ርእሱ ንሞት ኣሕሊፉ
677 ብዝሃበሉ ሰዓት “ኣብ ልዕሊ ገዛኢ እዚ ዓለም'ዚ”[169] ወሳኒ ዝኾነ ዓወት ተረኺበ።
490 ናይ'ዛ ዓለም'ዚኣ ፍርዲ ከኣ ንሱ እዩ። ገዛኢ'ዛ ዓለም'ዚኣ “ንግዳም ኪድርበ
972 እዩ”[170]፤ ንሱ “ነታ ሰበይቲ'ኳ እንተ'ሳደዳ”[171]፣ ንሳ ብናይ መንፈስ ቅዱስ “ጸጋ ዝተመልአት”፣ ካብ ኃጢኣትን ጥፍኣት-ሞትን ብመንፈስ ቅዱስ ዝተናገፈት፣ (ብዘይካ ኃጢኣት-ኣዳም ዝተጸንሰት፣ ኣዝያ ቅድስቲ፣ ኣደ-ኣምላኽ፣ ወትሩ ድንግልን ንሰማይ ዝፈለሰትን) እታ ሓዳስ ሔዋን ስለዝኾነት ኪሕዛ ኣይከኣለን። “እቲ ገበል ከኣ በታ ሰበይቲ ተቘጢዐ፤ ነቶም ትእዛዝ-ኣምላኽ ዚሕልዉን፣ ብዛዕባ ኢየሱስ ዚምስክሩን ዝተረፉ ዘርኣ ኪዋግኦም ከደ።”[172] ስለ'ዚ መንፈስ ቅዱስን ቤተክርስትያንን “ኦ! ጐይታ ነዓ!”[173] እናበሉ ይጽልዩ፤ ከመይሲ፡ ናቱ ምምጻእ እዩ ካብ ክፉእ ዘድኅነና።

**2854** ካብ'ቲ ክፍኣት ንምድኃን ብንልምነሉ ግዜ፣ ዋናኡን ቀስቃሲኡን ንሱ
2632 ባዕሉ (ኃይሊ ክፉኣት) ካብ ዝኾነ፡ ካብ ናይ ሕጅን ናይ ዝሓለፈን ዚመጽእን ክፍኣት ሓራ ንኽንከውን ንጽሊ። በዚ ናይ መወዳእታ ልመናኣ፡ ቤተክርስትያን ንጸገማት-ዓለም ናብ ቅድሚ እግዚኣብሔር-ኣቦ ተቕርቦ። ንዓሌትሰብ ከቢብዎ ካብ ዘሎ ክፍኣት ሓራ ከተውጽኦ፣ ከምኡ'ውን ነቲ ኽቡር ህያብ-ሰላምን፣ ናይ ክርስቶስ ዳግማይ ምጽኣትን፣ ትዕግሥቲ ብዝዓዘዞ ተስፋ እትጽበየሉ ጸጋ ንምርካብ ትጽሊ። በዚ ዓይነት'ዚ ብምጽላይ ቤተክርስትያን “ናይ ሞትን ሲኦልን መፋትሕ” ብዝወነነ፣ በቲ ዘሎን ዝነበረን፡ ኣብ ዚመጽእ'ውን ንኹሉ ብዚገዝእ ኣምላኽ”[174] ብትሕትና ብምእማን፣ ኩሉ ሰብን ኩሉ ነገርን (ፍጡርን) ብሓድነት ኣብኡ (ኣብ ኣምላኽ) ኪእከብ ትጽበ። (Ricapitulation)

1041 *ኦ! ጐይታ! ካብ ክፉእ ከተድኅነና ንልምነካ። ኣብ ዘመንና ሰላም ጸግወና። ብምሕረትካ ተሓጊዝና ንዝተቐደሰት ተስፋን፣ ናይ'ቲ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ምምጻእን እናተጸበና፣ ወትሩ ካብ ኃጢኣት ናጻ ክንከውንን ካብ ስግኣት'ውን ከምንሕሎን ግበረና።*[175]

---

[169] ዮሓ 14፡30
[170] ዮሓ 12፡31፣ራእ 12፡10
[171] ራእ 12፡13-16
[172] ራእ 12፡17
[173] ራእ 22፡17፣20
[174] ራእ 1፡8፣18፣ራእ 1፡4፣ኤፌ 1፡10 ረአ
[175] *ሮማዊ መጽ.ቅዳሴ* Embolism after the Lord’s Prayer, 126፡ Libera nos, quæsumus, Domine, ab omnibus malis, da propitius pacem in diebus nostris, ut, ope misericordiæ tuæ adiuti, et a peccato simus semper liberi, et ab omniperturbatione securi፡ Expectantes beatam spem et adventum Salvatoris nostri Iesu Christi.

## ኣንቀጽ 4
## ዛዛሚ ስብሓተ - ኣምላኽ (ምስጋና)

**2855** *እቲ ናይ መወዳእታ ዛዛሚ ምስጋና "መንግሥትን ኃይልን፡ ክብርን ሕጅን ንዘለዓለምን ናትካ እዩ" ዚብል ሓረግ፣ ነተን ናብ ኣቦና ዚቐርባ ቀዳሞት ሠለስተ ልመናታት፣ ማለት ምቕዳስ ስሙ፣ ምምጻእ መንግሥቱ፣ ዘድሕን ፍቓዱን ኃይሉን ኣጣሚሩ ዳግማይ ይጠቕሰን። ኣብ'ቲ ሰማያዊ ግብረ-ኣምልኾ ከምዚንጸባረቕ፡ እነሆ ሕጂ፣ እዚ ጸሎታት እዚ ከም መጠን ኣምልኾን ምስጋናን ይቐርብ።*[176] *ናይ'ዚ ዓለም'ዚ ንግሥነትን ሥልጣንን ክብርን፣ ገዛኢ'ዚ ዓለም'ዚ ብሓሶት ንርእሱ ወሲዱዎ ኣሎ፤*[177] *እግዚኣብሔር "ኵሉን ኣብ ኵሉን" ብዝኾነሉን ምሥጢረ-ድኅነት ኣብ ፍጻሜ ዚበጽሓሉን ግዜ፣ ክርስቶስ ጐይታ ነታ መንግሥቱ ነኣኡ (ንእግዚኣብሔር-ኣቦ) ኣረኪቡ፣ ነተን ሠለስተ መዓርጋት ንግሥነትን ሥልጣንን ክብርን ናብ'ቲ ኣቦኡን ኣቦናን ኪመልሰን እዩ።"*[178] 2760

**2856** *"ድሕር'ዚ ጸሎት ምስ ተፈጸመ፣ "ኣሜን" ትብል፣ ትርጕሙ ድማ "ከምኡ ይኹን" ማለት እንኪኸውን፣ እግዚኣብሔር ኣብ ዘስተምሃረና ጸሎት ተጠቓሊሉ ንዚርከብ ኩሉ፣ ብሥሙር ድምጽና "ኣሜን" ብምባል ነጽድቖ"*[179]። 1061-1065

## ብሓጺር

**2857** *"ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና" ኣብ ዚብል ጸሎት ዘለዋ ዝቐደማ ሠለስተ ልመናታት፡ ዋና ቊምነገረን፡ ናይ ኣቦ ክብሩ፣ ናይ ስሙ ምቕዳስ፣ ናይ መንግሥቱ ምምጻእ፡ ምፍጻም ፍቓዱን እየን። ዝተረፋ ኣርባዕተ ልመናታት ባህግና ናብ ኣምላኽ የቕርባ። ንሕይወትና መግቢ ክንረክብ፣ ካብ ኃጢኣት ክንድሕን፣ ክፍኣትን ሠናይን ኣብ ዚገብርዎ ቃልሲ ብዓወት ክንዛዝሞ ንኸክእለና ንልምን።*

**2858** *"ስምካ ይቀደስ" ኢልና እንክንልምን፣ ቅድም ብሙሴ ደሓር ድማ ብኢየሱስ፣ ኣባናን በኣናን፣ ብነፍስወከፍ ሕዝብን ውልቀሰብን ዝተጋህደ ናይ ስሙ ምግላጽ፣ ማለት ናብ መደብ ኣምላኽ ነኣቱ።*

---

[176] *ራእ* 1፡6፣4፡11፣5፡13 *ረኣ*
[177] *ሉቃ* 4፡5-6 *ረኣ*
[178] 1 *ቆሮ* 15፡24-28
[179] *ቅ.ቄርሎስ ዘኢየሩሳሌም* Catech. myst. 5, 18፡ PG 33, 1124፣*ሉቃ* 1፡38 *ረኣ*

2859 በቲ ካልኣይ ልመና፡ ቤተክርስትያን ኣቐዲማ ናይ ክርስቶስ ምምላስን፣ ናይ መወዳእታ ምጽኣት መንግሥቲ-ኣምላኽ ብተስፋ ትጽበ። መንግሥቲ-ኣምላኽ ኣብ'ዚ ሕይወትና'ዚ (ናይ ሎሚ) ኪድልድል ትጽሊ።

2860 በቲ ሣልሳይ ልመና፣ ኣብ'ዚ ምድራዊ ሕይወት መደብ-ድኅነቱ ምእንቲ ከሳልጥ፣ ድላይና ምስ ድላይ-ወዱ ምእንቲ ከወሃህዶ ነቦና ንልምን።

2861 ብራብዓይ ልመና፣ "ሃበና" ብምባል ምስ ኣኀዋትና ኃቢርና፡ ኣብ'ቲ ሰማያዊ ኣቦና ንዘሎና ውሉዳዊ እምነት ንገልጽ። "ዕለታዊ እንጌራና" ዚብል ቃል ንነፍስወከፍ ሰብ ንህላዌኡ ዘድልዮ ምድራዊ ምግብን እንጌራ-ሕይወትን፣ ማለት ቃል-ኣምላኽን፣ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን የመልክት። ኣብ ቅዱስ ቍርባን ኣቐዲሙ ዝተገልጸን፣ ኪሕለፍ ዘይከኣልን ኣብ ናይ'ቲ ዚመጽእ መንግሥቲ በዓል፡ "ብዕለተ" እግዚኣብሔር እንቕበሎ ልዑል መግቢ እዩ።

2862 ሓምሻይ ልመና፣ ብዝፈጸምናዮ በደል፡ ምሕረት ምእንቲ ክንረክብ ንእግዚኣብሔር ዚልምን እዩ። እንተኾነ ግን መንፈስ ምሕረት ኣብ ልባትና ዚሠርጽ፣ ኣብ ናይ ክርስቶስ ኣብነትን ረድኤትን ተመርኲስና፣ ንጸላእትና ይቕረ ምባል እንተተላመድና ጥራሕ እዩ።

2863 "ናብ ፈተና ኣይተእትወና" እንክንብል ድማ ናብ ኃጢኣት ንዚወስድ መንገዲ ንኸይንኸተል ንእግዚኣብሔር ንልምን። እዚ ልመና'ዚ ኣቐዲምካ ሓቂ ናይ ምፍላጥ ክእለትን፣ ናይ ልቢ ቆራጽነትን፣ ከምኡ'ውን ናይ ምስትውዓልን ልቦናን ጸጋን ናይ መወዳእታ ጽንዓትን የሓትት።

2864 "ካብ ኩሉ ክፉእ ኣድኅነና" ብዚብል ናይ መወዳእታ ልመና፣ ንእግዚኣብሔር ኮነ፣ ነቲ መደብ ድኅነቱ ዝተቓወመ መልኣኽ፣ "ናይ'ዚ ዓለም'ዚ ገዛኢ" ዝኾነ ሰይጣን፣ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊኡ ዝጨበጦ ዓወት ንኽርኢ፣ ምእመናን ምስ መላእ ቤተክርስትያን ሓቢሮም ናብ እግዚኣብሔር ይጽልዩ።

2865 በቲ ናይ መጨረሻ "ኣሜን"፣ ድማ፣ ኣብ'ተን ሾብዓተ ልመናታት ንዝተባህለ ኵሉ "ይኹን" ብዚብል ቃል ከምዝተቐበልናዮ ንገልጽ። "ከምኡ ይኹን"።